# ምዕራፍ 1

# ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮን ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳንን

ካብ መጀመርታ ሓምሳታት ክሳብ መፋርቑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ማለት ካብ መድረኽ እንታይ ንግበር? ናብ ግብራዊ መድረኽ ዘሰጋገረ ክልተ ምትእኽኻባት ካብ ኤርትራ ወጻኢ ተራእዩ እዩ። እዚ ምትእኽኻባት'ዚ ድማ ናይ ተማሃሮ ምትእኽኻብ ኣብ ካይሮን ናይ ወተሃደራት ምትእኽኻብ ኣብ ሱዳን ነይሩ።

## 1. ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮ

ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ካይሮ ኣብ ጥሪ 1952 ክለብ ተማሃሮ ኤርትራ ዝተሰምየ ማሕበር መስሪቶም። ኣብቲ እዋን'ቲ ምስሪ ብመሪሕነት ጀማል ዓብደልናስር ኣብ ሓምለ ናይ'ቲ ዓመት'ቲ ኣብ ልዕሊ ንጉሳዊ ስርዓት ዝተዓወተ ሰውራ ተጠኒሳ ነይራ። ምስሪ ድሕሪ ሰውራ ሓምለ ንኹለን ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ሳልሳይ ዓለም እትስሕብ ማእከልን ንመግዛእቲ ዘቓልዕሉን ንሓሳባት ሃገራዊ ናጽነት ዘሰብክሉን መድረክ ኢያ ኮይና ነይራ። ንሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ጽኑዕ ባይታ ስለዝኾነት ከኣ ኣብ መድረኻት እናወጻ ንመግዛእቲ የቃልዓን ብስራት ሓርነታዊ ስነ ሐሳብን ሃገራዊ ናጽነትን የቃልሓ ነይረን።

ሕጊታት ናይቲ ክለብ ባህላዊ ዕላማታት ከም ምዝርጋሕ ሃይማኖታዊ ባህሊ፡ ምስራጽ ስፖርታዊ መንፈስን ንተማሃሮ ናብ ትምህርታዊ ኮለጃት ምስሪ ንኽኣትው ምሕጋዝን ዘጠቓለለ ጥራይ'ኳ እንተነበረ መሰረታ ግን ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕ እዮም ተጸንቢሮም። ኣብ ኣህጉራዊ ኢጋጣሚታትን መጋባኢያታትን ናይ ምስታፍ ዕድል ክረኽቡ ከለዉ ድማ ፍትሓውነት ጉዳዮም ይገልጹ ነይሮም። ጣሃ ሙሓመድ ኑር፡ ዳሓር ሓደ ካብ ተማሃሮ መስረቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝኾነ ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ **"ኣብቲ እዋን'ቲ ብወገን ሰውራ ምስሪ ንጉዳይ ኤርትራ ዝድግፍ እውጅ ፖለቲካዊ መርገጺ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ኤርትራውያን ክነጥፉን ኣብቲ ኣብ ካይሮ ዝካየድ ዝነበረ ብዙሕ ጉባኤታት ከም ጉባኤታት ምድግጋፍ ኤስያን ኣፍሪቃን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብምስታፍ ድምጺ ኤርትራ ከስምዑን ወጽዓ ህዝቢ ኤርትራን፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ውሳነን (ፈደረሽን) ሰብኣዊ መሰላትን እትፍጽሞ ግህሰትን ክገልጹን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እትፍጽሞ ኣረሜናዊ ተግባራት ከቃልዑን ፍቑድ ኢዩ ነይሩ"** ኢሉ።[1]

እቶም ተማሃሮ ብዕድመ ንእሽቱ ስለዘይነበሩን ሃገሮም ከም ኩለን'ተን ናጽነተን ዝተጎናጸፋ ወይ ናጽነተን ንኽረኽባ ትጽቢት ዝነበረን ሃገራት ናጽነት ንኽይትረክብ ኣብ ልዕሊኣ ዝፍጸም ዝነበረ ውሽጣውን ኣህጉራውን ውዲታትን ኣብ መጨረሽታ ከኣ ኣብ ትሕቲ ንምድንጋርን መልክዑ ንምጽባቕን ፈደራላዊ ሕብረት ዝተሰምየ ሓድሽ መግዛእቲ ዝተቆርነትሉን ታሪኽ ኩሎም ይፈልጥዎ ኢዮም። ስርዓት ንጉስ ሃይለ ስላሰ

[1] ጣሃ ሙሓመድ ኑር ቃለ መጠይቕ ብ3/11/2003 ኣስመራ

ነቲ ኣብ ውሽጢ ሓርነታዊ ስነ ሓሳብ ዝምዕብል ዝነበረን ሓርነታዊ ሓሳባት ህላወኡን ኣብ ጭቆና ዝተመስረተ ስርዓቱን ሓደገኛ እናኾነ ክመጽእ ዝጸነሓ ምዕምጻኡን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ትርጉም ዘይነበሮን ንሱ ዝቆጻጸሮን ፌደራላዊ ሕብረት ተኸታታሊ ግህሰት ብምፍጻሙ ከም ዘልመሶ ብዓይኖም ይርእይዎ ነይሮም ኢዮም። እቲ ኣብ መጀመርታ ዕድመኡ ኣንጻር ስሉሳውያን ጸላእቲ ብሪጣንያ ፈረንሳን እስራኤልን ኣብ 1956 ኣብ ዘይተመጣጣኒ ኵናት ዝአተወ "ሰውራ ምስር" ንኤርትራውያን ተማሃሮ ብዛዕባ'ቲ መላእ ህዝቢ ምስሪ ዝተሳተፎን ሓርነትን ክብርን መስዋእትን እናበለ ክዝመረሉን ህዝባዊ ተቓውሞ ብዝምልከት ሓድሽ መረዳእታ ኣስኒቑዎም ኢዩ። ግብጺ ኣንጻር ሱሉሳውያን ጸላእቲ ኣብ ኵናት እንከላ፡ ኤርትራውያን ንሓፈሻዊ ርእይቶ ዓለም ብቋንቋታት ዓረብን ትግርኛን ጉዳዮም ንኸብርሁ ኣብ መደበር ሬድዮኣ ምስ ኣፍቀደትሎም እቶም ንሓርነት ዘማዕድዉ ዝነበሩ ተማሃሮ ዝያዳ መንፈሳዊ ሓይሊ ኢዮም ረኺቦም። ኣብ ውሽጢ ዝነበሩ ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዒ ዘብርህን ግዜ ቅድሚ ምሕላፍ ነቲ ጉዳይ ቅኑዕ መአዝኑ ንምትሓዝ ንአህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝጽውዕን ኤርትራዊ ድምጺ ክሰምዑ ክሳብ ክንደይ ይጽበዩ ከምዝነበሩ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበሩ ሰባት ዝዝክርዎ ኢዩ።

በቲ ኣብ ውሽጢ ምስሪ ዝነበረ ነበልባላዊ ሰውራን ስምዒትን ከምኡውን ብዓወት ዕጥቃዊ ሰውራ ኣልጀርያን ተመሳሰልቲ ሰውራታት ኣፍሪቃን ኤስያን ስለዝተጸልዉ ከኣ ኣብ መንፈስ ኤርትራውያን ተማሃሮ ንምእንቲ ሓርነት ሃገሮም ኣብ ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ ሓያል ድሌት ሓዳሮም። በዚ ድሌት'ዚ ተደሪኾ ከኣ መራሒኦም ስዒድ ሕሴን ነቲ ኣብ ልዕሊ ምስሪ ዝካየድ ዝነበረ ስሉሳዊ ወራር ንምምካት ብድሌቱ ተወፍዩ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዱ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ክካየድ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ኵናት ቅድመ ምድላው'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ካይሮ፡ ንሐድሽ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብኩሉ ኣገባባት ንምምካት ቀዳማይ ውዱብ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ወጻኢ ኢዩ ክባሃል ይከኣል።

## 2. ምትእኽኻብ ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳን

ዘይተሓተመ ዳያሪ ናይ ሙሓመድ ስዓድ ኣደም[2] ከም ዝሕብሮ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ 1956 **"ውድብ ሓርነት"** ዝተሰምየ ምትእኽኻብ ኣቑሞም። እቲ ቅሉዕ መጸውዒኡ ከኣ **"ማሕበር ግብረሰናይ"** ዝብል ነይሩ።[3] ዕላማ ምቛም ናይቲ ማዕከን **"ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምቅዋም"** ከም ዝኾነ ይጠቅስ። **"ማሕበር ግብረሰናይ"** ወይ **"ውድብ ሓርነት"** ዝተመስረተሉ እዋን ሱዳን ናጽነቱ ዝረኸበሉ ዓመት ብምዃኑ ከኣ ንዓይኒ ብሩህ ዝኾነ ሃገራዊ ምልከት ከምዝልዎ ክንርዳእ ንክእል ኢና።

---

[2] ኣብ ዝሓለፈ ዕስራታት ክፍለዘመን ኣብ ሱዳን ከተማ ከሰላ ተወሊዱ፡ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ክሳብ ናብ ደረጃ "ቀዳማይ ሰርጀንተ" መዓርግ ዝበጽሐ ሰሪሑ፡ ካብ (1965-1968) ከም ኣብ ወንበር ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ከሰላ ብላዕለዋይ ባይቶ ተመዚዙ።

[3] ኣብቲ ምስ ጀርመናዊ ተመራማሪ ጉንተር ሽሮደር ብ10-11/2/1991 ኣብ ከሰላ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ብዛዕባ ውድብ ሓርነት ነዚ ፍሉይ ሓበሬታ ሂቡ። ሓደ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበረ ኣደም ሙሓመድ ግንድፍል'ውን ኣብቲ ብ9/2/1991 ኣብ ከሰላ ምስ ጉንተር ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ኣብቲ ስም ይሰማምዖ ኢዩ።

*መብዛሕትኦም ኣብቲ እዋን'ቲ ናብ ሰራዊት ሱዳን ዝተጸንበሩ ኤርትራውያን ንስራሕ ኢሎም ናብ ሱዳን ዝኸዱ መንእሰያት ኢዮም ነይሮም። ካብ መንጎኦም ኣብ ሱዳን ዝተወልዱ ከምኒ ሙሓመድ ሰዓድ ኣደም፡ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ሳልሕ ሕዱግ ጸኒሖ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ዝኾነ ነይሮም። እቶም ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ድማ መብዛሕትኦም ካብ ገጠራት ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ኢዮም ነይሮም። በዚ መሰረት ከኣ ካብቶም ናይ ትምህርቲ ዕድል ፈጺሞም ዘይረኸቡ ኢዮም ነይሮም። መሐመድ ሰዓድ ኣብቲ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ ካብ መንጎ'ቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን ነይሮም ዝብሎም 700 ኤርትራውያን ገለ ካብቶም መስረቲ ጠቒሱ ኣሎ። እቶም ንሱ ዝጠቐሶም ከኣ ጃዕፈር ሙሓመድ*[4] *ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ባቢከር ሙሓመድ እድሪስ፡ ሳልሕ ሙሓመድ እድሪስ* (*ኣቡ ዓጃጅ*)*፡ ሳልሕ ሕዱግ፡ ጣህር ሳልም፡ ዑመር ሓምድ እዛዝ፡ ዑመር ዳመር፡ ሙሓመድ ዓሊ ሰዓደዲን፡ ሙሓመድ ዓሊ ኣቡርጀላ፡ ጅምዕ ኣደም፡ ኢብራሂም ድውድ፡ ዑመር ከሸዋይን ሙሓመድ ሰዓድ ኣደምን ኢዮም። ንኣደም ግንድፍል፡ ዑስማን ሙሓመድ እድሪስ* (*ኣቡሸነብ*)*፡ ሓምድ በላይ፡ ሕሻል ዑስማንን ሙሓመድ ዑመር* (*ኣቡጥያራ*)*ን ክንውስኽሎም ንኽእል ኢና።*

*ብዙሓት ካብዚኣቶም ኣብ* 1955 *ኣብ ደቡብ ሱዳን ቀዳማይ ተቓውሞ ምስ ተቐልቀለ፡ ኣብ ዓውደ ኵናት ከም ብርቱዓት ተዋጋእቲ ተኾሊያም ኢዮም። መብዛሕትኦም ኣብ ምብራቓዊ እዚ ስለዝነበሩ ከኣ፡ ኣብ ሜዳ ዓውደ ውግእ ንስም ናይቲ እዚ ውሩይ ገይሮምዎ ኢዮም። በቲ ኣብ ኵናት ዝፈጸምዎ ጅግንነት ከኣ መዓርግን ንሻናትን ረኺቦም። ብሰንኪ መሃይምነቶምን ሱዳናውያን ዘይምዃኖምን ግን ብዘገምታ ኢዮም መዓርግ ዝውሰኹ ዝነበሩ። ኣብ ደረጃ መስርዕ መኮንናት መብዛሕትኦም ናይ* **“*ሓለቓ ዓሰርተ*” “*ሰርጀንት*” “*ቀዳማይ ሰርጀንት*”** *መዓርግ ረኺቦም።*

*እዞም ዝተሰዱ ኤርትራውያን እዚኣቶም ኣብ ሂወቶም ዓቢ ጽልዋ ዝገበረን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ዘማእዘነን ሰለስተ ተመኩሮታት ኣሕሊፎም ኢዮም።*

***ቀዳማይ፡*** *ነቲ ብሰንኪ ናይ ደገን ውሽጥን ሓይልታት ውዲት ዕድል ናጽነቱ ዝጥፍኣ ኩነታት ሃገሮም ስለዝነበርዎ ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጥዎ ኢዮም። ነዚ ብዝያዳ ዘብርሆ ከኣ እዞም ወተሃደራት እዚኣቶም ዓመታዊ ዕረፍቶም ብስሩዕ ኣብ ኤርትራ የሕልፍዎ ምንባሮም ኢዩ። ንሳቶም መብዛሕትኡ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ኣብቲ ዝዓበዩሉ ዓድታቶም የሕልፍዎ'ኳ እንተነበሩ፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ንምፍላጥን ካብ ደቂ ዓድን ኣዕሩኽቶን ሓበሬታታት ንምርካብን ናብ ዓበይቲ ከተማታት ዑደት ንምክያድ ንዝረኽብዎ ዕድላት ይጥቀምሉ ነይሮም።*

***ካልኣይ፡*** *ምእንቲ ናጽነት ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተመኩሮ ህዝቢ ሱዳን ተኸታቲሎም ነይሮምዎ ኢዮም። እዚ ቃልሲ'ዚ ድማ ብዘይ መስዋእቲ ኣይነበረን።*

***ሳልሳይ፡*** *ኣብቲ ግዜ'ቲ ዕጥቃውያን ሃገራውያን ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት በርቲዖናሉ ዝነበራ እዋን ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ቃልሲታት ሰውራ ኣልጀርያ መዓልታዊ ኣብ ጎደናታት ዓረብ የንጸባርቕ ብምንባሩ ናቱ ጽልዋ ነይሩዎ።*

*ስለዚ እዞም ወተሃደራት እዚኣቶም ሃገሮም ሓራ ንምውጻእ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ሱዳን ናጽነታ ዝረኸበትሉ ዓመት፡ ቀዳማይ ስጉምቲ ንምውሳድ እንተሓሰቡ ዘገርም ኣይኮነን። እንተ ኣብ ኩነታቶም መጺእና በጀካ መገዲ ጎነጽ ወይ ኵናት ከም ምርጫ፡ ካብኡ ዝተፈልየ ካልእ ዘይፈልጥዎ ምርጫ ከማዕድዉ ከምዘይክእሉ ርዱእ ኢዩ።*

---

[4] *ኣብቲ ዝቐጸለ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ኮይኑ፡* (1965-1968)

# 3 መሪሕነት ምንዳይ

ኣብ 1958 ተማሃሮ ካይሮ ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባኢያታት ንኽውክልን ፖለቲካዊ ምንቅስቓሶም ንኽመርሕን ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ ኤርትራ ከውጽእዎ ተሰማምዑ። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ ሓምለ 1955 ክሳብ ሰነ 1956 ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ብዛዕባ ትግባረ ውሳነ ፌደራላዊ ሕብረት ብዝምልከት ምስቲ ንምስራዙ ዝሰርሕ ዝነበረ ስርዓት ኢትዮጵያ ስለዝተፈላለየ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ። ሙሓመድ ኣደም እድሪስ ኣረይ (ገሲር)[5] ሓደ ካብቶም ንጡፋት ተማሃሮ ዝነበረ፡ ብዛዕባ'ዚ ክገልጽ ከሎ፡ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ ኤርትራ ንምውጻእ ከም ሐሳብ ክመጽእ ዝኽኣለ፡ ኣብ መንጎ ካብ ኤርትራ ዝመጸ ፍሉጥ ፖለቲከኛ ሙሓመድ ዑመር ቃዲን ኣብ ምስሪ ናይ ፖለቲካ ስደተኛ ዝነበረ ፍሉጥ ሃገራዊ ወልድኣብ ወልደማርያምን ፍልልይ ምስ ተኸስተ ካብ ተስፋ ምቑራጽ ዝተመርጸ ምኻኑ የረድእ። ብዛዕባ ፍልልያት ናይቶም ክልተ መራሕቲ ኣመልኪቱ “ገሲር” ክልቲኦም መራሕቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ባይቶ ምስሪ ንዝነበረ ኣንዋር ኣሰዳት ተራኺቦም። ኢትዮጵያ ንፌደረሽን ትጥሕስ ስለዘላ ጉዳይ ኤርትራ እንደገና ናብ ው.ሕ.ሃ. ንኽቐርብ ሓሳብ ሂቦም። ከምኡውን ብለበዋ ኣንዋር ኣሰደት ነቲ ዳሓር ኣቦ መንበር ውድብ ሓርነት ፍልስጥኤም፡ ዝኾነ ፍልስጥኤማዊ ፖለቲከኛ ኣሕመድ ኣሹቐይሪ ረኺቦምዎ። ሳዳትን ኣሹቐሪይሪን ንክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከይተመርኩሱ ዕጥቓዊ ተቓውም ከካይዱ ሓሳብ ከምዝሃብዎም፡ ወልድኣብ ወልደማርያም ነቲ ብምስራውን ፈልስጥኤማውን መራሕቲ ዝቐረበ ሓሳብ ቅኑዕ ብምባል ክቅበሎ ከሎ፡ ሙሓመድ ዑመር ቓዲ ግን ምስሪ ተራኣ ኣብ ውድብ ሕብራት ሃገራት ንኽይትጸወት፡ ወልድኣብ ወልደማርያም ድማ ምስኡ ናብ ው.ሕ.ሃ. ንኽይከይድ ዝቐርብ ዘሎ ምኽንያታት ኢዩ ብምባል ሰለዝነጸጎ ክልቲኦም መራሕቲ ከም ዝተፈላለዩ ኣረዲኡ።

ሰለዚ ነቲ ፖለቲካዊ ስራሕ ንምምራሕ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝሓሸ ክኽውን ይኽእል'ዩ ብዝብል ተስፋ ከምዝተመርጸ የረድእ። በዚ ከኣ ብስም ተማሃሮ መልእኽቲ ናብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንኸብጽሕ “ገሲር“ ተመዘዘ። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ኣቑርደት ኢዩ ዝቕመጥ ነይሩ። ነቲ ኣብ ዕጽው መገዲ በጺሑ ዝበልዎ ሃገራዊ ጉዳይ ንኽመርሕ ምእንቲ ካብ ኤርትራ ክወጽእ ድማ ኣብ መልእኽቶም ሓበርዎም።

“ገሲር” ነታ መልእኽቲ ኣብ ኣቑርደት ንእድሪስ ኣረኪቡ ዓዱ ንምርኣይ ናብ ዓንሰባ ከይዱ ኢዩ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ምስ ተመልሰ ድማ እድሪስን ኢብራሂም ሱልጣንን ካብ ኤርትራ ከም ዝወጹ ክፈልጥ ከም ዝኸኣለ ይገልጽ። ኣብ ክሰላ ምስ መጹ፡ ሓፋሽን ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝሰርሑ ኤርትራውያንን ንምውዳብ ክሰርሕ እትጠልቦ መልእኽቲ ናይ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ሰለዝጸንሓቶ ናይ ካይሮ ጉዕዞኡ ኣቛሪጹ ኣብ ከሰላ ክቅመጥ ከም ዝወሰነ “ገሲር” ይሕብር። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ከሰላ ምስ ገለ ኤርትራውያን ወተሃደራት ከምኒ ጣህር ሳልም፡ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ፡ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ዑመር እዛዝ፡ ዑመር ዳመርን ኣደም ሙሓመድ

[5] ቃለ መጠይቕ (ደራሲ) ኣስመራ ብ14/5/2004፡ ሙሓመድ ኣደም ገሲር ብ1932 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ፡ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ቤ/ትምህርቲ (መዓሃድ) ኣስመራ ኣብ 1951 ወዲኡ ናብ ምስሪ ብምኻድ ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ኣልኣዝሃር ወዲኡ።

ሓምድ (ግንድፍል)ን ከምዝተራኸበን ኣብቲ ማዕከን ግብረ ሰናይ ዝነበረ ክልተ ሚኢቲ ጅኔ ሱዳን ከምዝሃብዎን ከኣ ኣደም ገሲር ገሊጹ።

ብዛዕባ ኣገባብ ኣወጻጽኣ ክልቲኦም መራሕቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ኢብራሂም ሱልጣንን ሙሓመድ ስዓድ ኣደም፡ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መዘከርታኡ ከምዚ ዝሰዕብ ይብል። **“ኣብ መንጎ ኢብራሂም ሱልጣንን እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ፍልልያት ከም ዘጋጠመ እትሕብር ህጽጽቲ መልእኽቲ ብጥቅምቲ 1958 ካብ ከተማ ኣቑርደት ምስ ዓብደላ እድሪስ ዓብደላ መጺኣ። ብመሰረት እዚ ሓበሬታ'ዚ ከኣ ኣብ ሱዳን ዝነበረ መሪሕነት ነቲ ሽግር ንምጽናዕ ህጹጽ ኣኼባ ከካይድ ወሰነ። እንተኾነ ግን ብዛዕባ ጠንቂ ናይቲ ፍልልይ ዘረድእ መሰረታዊ ሓበሬታ ሰለዘይተረኸበ፡ ነቲ ሽግር ንምፍላጥን ቅድሚ ምብርታዑ ኣድላዩ ፍታሕ ንምውሳድን ምስ ክልቲኦም መራሕቲ ንምርኻብ ሓደ ካብ ኣባላቱ ናብ ኤርትራ ልኢኹ።”** እቲ ዝተላኣከ ከኣ ንሱ ምኳኑን ብዕለት 18/10/1958 ናብ ኣቑርደት ከም ዝበጽሐን ይገልጽ። ሓበሬታኡን እዋኑን ልክዕ ምኳኑ ንምርዳእ ከኣ ኣብታ መዓልቲ ማለት 18/10/1958 እታ ዝሳፈሩላ ዝነበሩ ኣውቶቡስ ኣብ መገዲ ባረንቱ ከም ዝተጋምጠለትን እቲ መሰነይታኡ ዝነበረ ወዱ ጥራይ ከምዝሞተን ብምሕባር፡ ባረንቱ ተመሊሱ ሰነ ስርዓት ቀብሪ ምስ ፈጸመ ጉዕዞኡ ብምቅጻል ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ኣቑርደት ከም ዝኣተወ ይገልጽ። ንኽልቲኦም መራሕቲ ከስማምዖም ከምዝኸኣለን ናብ ስዱን ንኽኸዱ ምድላዋት ከምዝገበረን ከኣ ሙሓመድ ስዓድ የብርህ። ኣደም ግንድፍል ኣብቲ ብ9/2/1991 ኣብ ከሰላ ምስ **“ጉንተር”** ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ፡ **“ውድብ ሓርነት”** ክልተ ካብ ኣባላቱ ንሳቶም ከኣ ኢብራሂም ዳውድን ዓብደላ እድሪስ ዓብደላን ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ኢብራሂም ሱልጣንን ንኽራኸቡ ናብ ኤርትራ ከም ዝላኣኾምን ንሳቶም እውን ከም ዝተራኸብዎምን እዚ ድማ ኣብ መንጎ ወተሃደራትን እቶም መራሕትን ናይ መጀመርታ ርክብ ምኳኑን ገሊጹ ኣሎ።

ኣብ ከሰላ ብዛዕባ ዝተገብረሎም ኣቐባብላ ይኹን ካባኡ ንኻርቱም ናይ ምስዳዶም ብዝምልከት ሙሓመድ ስዓድ **“ክልቲኦም መራሕቲ ናብ ከተማ ከሰላ ምስ በጽሑ ብመሰረት'ቲ ኣቐዲሙ ስምምዕ ዝተገብረሉ መደብ ኣቐባብላ ተገይሩሎም። በታ ምስ እኹል ነዳዲን መቀያየሪ ኣቑሑትን ዋርድያታትን ዝተዳለወትሎም ታክሲ ሽዑ ምሸት ንኻርቱም ብመገዲ ምድረበዳ ‘ቡጣና’ ንኽኸዱ ከኣ ምድላዋት ተገይሩ። ኻርቱም ምስ ኣተው ከኣ እታ ኣብኡ ዝተመዘዘት ኮሚተ ንኩሉ ናይ መገሽኦም ምድላዋት ወዲኣ ንካይሮ ሰደደቶም”** ኢሉ። እዚ ከኣ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1959 ኢዩ ነይሩ።

ካብዚ ኩሉ ዝቐረበ ሓበሬታታት ብዛዕባ'ዞም ክልተ ምትእኽኻባት ወይ ምንቅስቓሳት ብዘይ ገለ ጸገም ነዚ ዝስዕብ ክንግምግም ንኽእል።

1. ክልቲኦም ምትእኽኻባት ካብቲ ዝተመሰረትሉ ግዜ ጀሚሮም ዕላማኦም ንምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ምቅላስ ዝብል ፖለቲካዊ ዕላማ ኢዩ ነይሩ።
2. ክልቲኦም ምትእኽኻባት መሪሕነት ከም ዘድልዮም ዕግበት ነይሩዎም። ሰውራውያን ተማሃሮ ካይሮ ኣብ መንጎኦም ከም በዓል እድሪስ ዑስማን ገላውዲዎስን ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ዝኣመሰሉ ናይ ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ እኳ እንተነበሩ ብደረጃ ሃገር ዝካየድ ቃልሲ ክመርሑ ቁሩባት ኣይነበሩን። እቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት እውን እንተኾኑ ብዕደመን ተመኩሮን ዝበሰሉ፡ ጸገማት ንምጽዋር ድሉዋት'ኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብ መጨረሽታ ግን ካብ ላዕሊ ንዝመጽእ ትእዛዛት ናይ ምትግባር ተመኩሮ ጥራይ ዝነበሮም ታሓተዎት ደረጃ ወተሃደራት ኢዮም ነይሮም። ሰለዚ ከኣ ክልቲኦም

ምንቅስቓሳት ዝመርሖም ይደልዩ ነይሮም። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ክመርሖም ሰለዝተሰማምዑ ከኣ ተማሃሮ ካይሮ ካብ ኤርትራ ንኽወጽእ ዝጸውዕ መልእኽቲ ሰዲዶምሉ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ከኣ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣውጺኦምዎ።

3. ክልቲኦም ስርዒታት ኣብ መንጎኦም ምውህሃድ ማዕቢሉ ነይሩ። ብፍላይ ከኣ መሪሕነት ንምድላይ ምስ ተራኸቡ፡ ምእንቲ ሃገራዊ ጉዳይ ብሓባር ክሰርሑ ከም ዝተሰማምዑ ወይ ከም ዝወሰኑ ክንርደእ ንኽእል።

# 4. ዝምድና ምስ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ

እዞም ክልተ ምትእኽኻባት ኣብ ሓምለ 1960 ኣብ ካይሮ ተ.ሓ.ኤ. ንምምስራት ቅድሚ ምብጋሶም፡ ምስ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝነበሮም ዝምድና ምርኣይ ኣገዳሲ ኢዩ። ከም ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ምእንቲ ሓርነት ኤርትራ ንምቅላስ ከም ፖለቲካዊ ውድብ ኣብ ሕዳር 1958 ኣብ ሱዳን ኢዩ ተመስሪቱ። ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ሱዳንን ኤርትራን ንፕሮግራሙ ሰፊሕ ደገፍ ክረኽበሉ ክኢሉ። ኣብ ምስጢራውያን ዋህዮታትን መሪሕነታት ጨንፈርን እናወደበ ኣባላቱ የስፍሕን ብዕላማታት ሓርነት የንሳጉስን ነይሩ።

ኣብዚ ብዛዕባ ዕላማታትን ሃገራዊ ተራን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ክንዛረብ ኣይኮናን። ምኽንያቱ እዚ መጽናዕቲ'ዚ ናብኡ ዝቐንዐ ሰለዘይኮነ። ዕላማና ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት መልሲ ምርካብ ኢዩ። ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ምስዞም ክልተ ቅድሚኡ ዝተመሰረቱ ምትእኽኻባት እዚኣቶም ከመይ ተዋሲኡ? ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን እዞም ክልተ ምትእኽኻባትንከ ዝምድና ነይሩ ዶ እንታይ ባህሪ ከ ነይሩዎ? ከመይ ኢሎም'ከ እዞም ክልተ ምትእኽኻባት ንምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሰጊሮም ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከይዶም?

ነዚ ሕቶታት'ዚ ኣብቲ ክልተ ቀንዲ መራሕቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝነበሩ ዘውጽእዎ መጽሕፍቲ መልሲ እንተነረኽበሉ ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ።

- እቲ ቀዳማይ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ መሰራቲን መራሕን ናይቲ ምንቅስቓስ ኢዩ። ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብቲ **"ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሓቒን ታሪኽን"** ዝብል መጽሓፉ ኣብ (ገጽ 70) ገለ ኣባላት ናይቲ ምንቅስቓስ ዝነበሩ ካብ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳን ኣስማት ብምጥቃስ **"እዞም ወተሃደራት እዚኣቶም ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንሜዳ ምስ ወጸ፡ ንምሕጋዙ ከም ዝተጓየዩን ነቲ ንሱ ዝፈለሞ ቃልሲ ኣብ ምዕቓብ ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወቱን ክምዝገብ ዘለዎ ነጥቢ ኢዩ።"** ብምባል ኢዩ ሰጊሩዎ። ካብ መንጎ'ቶም ብዙሓት ዝጠቐሶም ከኣ፡ ዑመር ዳመር፡ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ፡ ዑመር እዛዝ፡ ጣህር ሰልም፡ ሙሓመድ ስዓድ ኣደም፡ ባበከር መሐመድ እድሪስ፡ ሙሓመድ ዑመር ኣደም፡ ሕሻል ዑስማን፡ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ሙሓመድ ዓሊ ኣቡርጀላ፡ ሓምድ በላይ፡ ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ ዒሳን፡ ዓሊ ጃምዕ ዓምርን ይርከቡ። እዚኣቶም ምብዛሕትኦም ናብ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ክጽንበሩ ከለው፡ ካልኦት ድማ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተ.ሓ.ኤ. ተጸንቢሮም።

እንተ ብዛዕባ ተማሃሮ ካይሮን ማሕበሮምን ሃገራዊ ተራኦምን ዝምድናኦም ምስ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ብዝምልከት ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ፈጺሙ ኣይተዛረበሉን። ብዛዕባኡ ክዛረብ እውን ኣይተበገሰን። ሰለዚ ከኣ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንዘገድሰና ሕቶታት ኣብ ምምላስ መጽሓፍ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ዝሕግዝ

ኣይኮነን። እዞም ክልተ ምትእኽኻባት ክሳብ ክንደይ ብምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ይጽለው ነይሮም፣ ንሓረካ ሰጊሮም ናብ ተ.ሓ.ኤ. ምጽንባሮምከ እንታይ'ዩ እቲ ምኽንያት? ዝብል ሕቶና መስራቲ ሓረካ ንባዕሉ ዘይመለሰሉን ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ ነዚ ሕቶታት መን ዳኣ ክምልሶ።

• እቲ ካልኣይ ኣባል ጠቕላሊ መሪሕነት ሓረካ ጣህር ኣብራሂም ፈዳብ ኢዩ። ጣህር ፈዳብ ንሕቶታትና ኣፅጋቢ መልሲ እኳ እንተዘይሃበሉ፣ ኣብቲ መልሲ ንምርካብ እነካይደ ጻዕሪ ክሕግዘና ዝኽእል ሓበሬታታት ግን ኣቕሪቡ ኢዩ። ንሱ ኣብቲ "ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ታሪኻዊ ጉዕዞኡን" ዝብል መጽሓፍ ብዛዕባ'ዞም ክልተ ምትእኽኻባት ብሓጺር ዝበሎ ነዚ ዝስዕብ ኣብሪሁልና ኣሎ።

• ጣህር ፋዳብ ብዛዕባ ተማሃሮ ካይሮ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ኣብ ግንቦት 1960 ንምስሪ ብምኻድ ብርኽት ዝበሉ ተማሃሮ ገለ ካብኣም ኣደም ሙሓመድ ዓሊ ኣክተ፣ ሙሓመድ ስዒድ ዑመር ዓንጠጣ፣ ኣብራሂም እድሪስ ኣሕመድ (ብሌናይ)፣ ስዒድ ሕሴንን እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ኣብ ሓረካ ከም **"ዝወደቦም"** ይገልጽ። ቀጺሉ ጣህር ፈዳብ ምሸት 29/5/1960 ምስዞም ኣባላት ኣኼባ ከምዝካየደን መምርሒታት ሓረካ ከምዝረከቦምን ብምጥቃስ፣ ኣብቲ ኣኼባ ንዕለት 5/6/1960 ንኽርኸቡ ከምዝተሰማምዑን ኣብቲ ዝተወሰነ ዕለት ምስ ተራኸቡ ድማ **"ህጹጽ ሕቶታቶም"** ከምዘቕረብሉን ይሕብር። ጣህር ነቲ ሽዑ ዝቐረበሉ ሕቶታት ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ። "1. **መራሒ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ መን'ዩ፣ መን'ዮም'ከ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት**? 2. **ምንቅስቕስ ሓርነት ኤርትራ ኣበይ ተመስሪቱ፣ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ መሪሕነትከ ኣበይ ኢዩ**? 3. **ናይ ገንዘብን ዕጥቅን ዓቅሙ'ኸ ክሳብ ክንደይ ኢዩ**? 4.**ዕጥቃዊ ሰውራ'ኸ መዓስ ክእውጅ ኢዩ**? 5. **ካብ ፖለቲካውያን መራሕቲ መን ኣሎ ምሳኹም**?"

ካብዚ ቅጺልና እምበኣር ጣህር ፈዳብ ዝሃቦም መልሲ ንርአ፣ "**ካልእ ብዙሕ ሕቶታት ምስ ምስጢራዊ ባህሪ ናይቲ ውድብ ሰለዝጻረር ፍጹም መልሲ ኣይሃብኩሉን። ምስ መሪሕነት ንኸላላዩን ምስኡ ተወሃሂዶም ንኽሰርሑን ምእንቲ ናብ ቤት ጽሕፈቱ ንኸኸዱ ከጣጥሓሎም ተወኪሰሙኒ። ኣነ ግን ንጠለባቶም ኣይተቐበልኩዎን። ኣቐዲሞም ዘዳለውዎ ናብ መሪሕነት ዝኸየድ መልእኽቶም ንኽብጽሓሎም እውን ሓቲቶሙኒ 'ንጠለባቶም ተግቢረሎም' ልክዕ ድሕሪ ሓሙሸተ መዓልቲ ድማ ንጠለባቶም ዝነጽግ መልሲ መጺኡዎም። እቲ ጠለባቶም ድማ እቲ ኣቐዲመ ዝነጸግክዎ ሕቶታት ኢዩ ነይሩ።**

**መልሲ ጠቕላሊ መሪሕነት ምስ ኣረከብኩዎም፣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝርከቦ ኣኼባ ከካይድ ሓቲቶሙኒ። ኣብቲ ኣኼባ ከኣ ነቲ ዝኣተውዎ መብጽዓ ከምዝገደፍዎን ተ.ሓ.ኤ. ብዝብል ስም ሓድሽ ሃገራዊ ውድብ ንምፍጣር ክሰርሑ ምዃኖምን ሓቢሮምኒ።**" (**ገጽ** 125-126)

• ብዛዕባ ምትእኽኻብ ወተሃደራት ኣብ ሱዳንከ ጣህር ፈዳብ እንታይ ይብል? ጣህር ፈዳብ "**እንተላይ እቶም ሽዑ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ሱዳን ዝኾኑ ኤርትራውያን ወተሃደራት፣ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ምስ መጸቶም ኣብ ስርዒታ ኣትዮም።**" ድሕሪ ምባል ብቐጥታ ናብታ ውጽኢት ይመርሓና። ከምዚ ዝስዕብ ድማ ይብል። "**ኣብ ደቡብ ሱዳን ካብ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣስታት** 60 **ዝኾኑ ናብ ከሰላ ከም ዝመጹን ንዓድታቶም ናብ ኤርትራ ክኸዱ ምዃኖምን ኣባል መሪሕነት ጨንፈር ከሰላ ናይ ሓረካ (ሙሓመድ ኣደም እድሪስ ኣረይ) ብኣደም ገሲር ዝፍለጥን ናይ ሓረካ ሳን ዘለዎን ንሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብቴለግራም ረኺቡ ምምጻእ**

ኤርትራውያን ወተሃደራት ካብ ደቡብ ሱዳን ከም ዝሓበሮን ሼክ እድሪስ ድማ ካብ ሰማል ብከተማ ፖርት ሱዳን ኣቢሉ ከተማ ከሰላ ብምእታው ምስቶም ወተሃደራት ተኸታቲሊ ኣኸባታት ድሕሪ ምክያድ ብህጹጽ ከም ዝተመልሰን እትሕብር ህጽጽቲ መልእኽቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብ20/10/1960 ተረኪባ።

እታ መልእኽቲ ናብ ጠቅላሊ መሪሕነት ምስ በጽሓት ሽዑ ንሽዑ ምስ ኣባል ጠቕላሊ መሪሕንትን ተማሃራይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ፖርት ሱዳን ዝነበረን ሙሓመድ ዓብደላ ዑስማን ናብ ከሰላ ንክንብገስ ተመዚዝና። ኣብ ከሰላ ምስ በጻሕና መሪሕነት ጨንፈር ከሰላ ብሓገዝ ኣብ ደቡብ ሓላፊኦም ዝነበረ ስሌማን ዓበ ኣብ መደበር ስድራቤት ወተሃደራት ምስኣታቶም ኣራኺባተና። ኣብቲ ሰለስተ ነዊሕ ኣኸባታት ካብ ዝተሳተፉ ወተሃደራት ዑመር እዛዝን ጣህር ሳልምን ይርከብዎም።"

ጣህር ፈዳብ "ኣብቲ ሰለስተ ነዊሕ ኣኸባታት" እንታይ ተባሂሉ ከይገለጸልና እቶም ወተሃደራት ዘቕረብሉ ሓንቲ ሕቶን ዝሃቦ መልስን ዝበጽሕዎ መደምደምታን ጥራይ'ዩ ሓቢሩ። እንተ'ቲ ዘቐረብዎ ሕቶ "ጠቅላሊ መርሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ መርገጺኡ ኣብቶም ንኤርትራ ድሕሪኦም ገዲፎም ምእንቲ ጉዳይ ኤርትራን ህዝባን ዝወጹ ፍሉጣት ፖለቲካኛታት እንታይ'ዩ?" ዝብል ነይሩ። ዝተዋህበ መልሲ ከኣ "መሪሕነት ሓረካ እዞም መራሕቲ እዚኣቶም ኣብ ህዝቢ ዘለዎም ጽልዋን ኣብ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎም ኣገዳስነትን ብንቅሓት ዝርድኦ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ኣይረስዖምን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተበግሶ ብምውሳድ ብመገዲ ጨንፈር መሪሕነት ሓረካ ኣብ ጅዳ ኣቢሉ ምስ ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ሼክ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ኣብ ስዑድያ ብምርኻብ ኣብ ሓረካ ወዲቡዎም ኣሎ። እንተ ንኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም ብመንገዲ ኣባል ልኡኽ ሓረካ ኣብ ወጻኢ ን ናይ ፖለቲካ ሰደተኛን ሓው ሙሓመድ ሳልሕ ማሕመድ ኣቢልና ሰሪዕናዮ። ጠቅላሊ መሪሕነት በቲ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ደው ከይበለ፡ ንክልቲኦም መሻይኽ ኢብራሂም ሱልጣንን እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ናብ ፖርት ሱዳን ቤት ጽሕፈት መሪሕነት በብተራ ብምጽዋዕ ምስኣታቶም ምስ ተሳማምዐ ናብ ካይሮ ተመሊሶም። ምናልባት እውን ጠቅላሊ መሪሕነት በዚ ደው ከይበለ፡ ምስኦም ኣብ ግብራዊ ስጉምቲታት ክኣቱ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምስ ገለ ጉጅለ ብስም ተ.ሓ.ኤ ሓድሽ ውድብ ንምህናጽ ይሰርሕ ኣሎ።" ይብል እሞ ብዛዕባ መደምደምታ ናይቲ ኣኸባ፡ እቶም ወተሃደራት "ክሳብ ትሰማምዑን ሓደ ኢድ ትኾኑን" ምስ ክልቲኡ ወገን ኣይንሰርሕን ኢና ከም ዝበሉ፡ ንሱ ከኣ "እንተ ድኣ ምሳናን ምስ ነፍስኹምን ሓቀኛታት ሃሊኹም እዚ ትብልዎ ዘሎኹም ንኽልቲኡ ወገን ናይ ርእይቶን ሓሳብን ሓድነት ካብ ተረጋገጸ፡ ግብራዊ ሓድነት ንምቅልጣፍ ዝድርኾም ኣወንታዊ መርገጺ ኢዩ። እንተኾነ ግን ዘስግእና ናብ ታኼላ ዝሸመኩም ጉዳይ ኣሊምኩም ከይትህልው ኢዩ።" ዝብል መልሲ ከም ዝሃቦም ይሕብር። (ገጽ 134)

ኣብቲ "ሰለስተ ነዊሕ ኣኸባታት" ዝተዘረበ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሓረካን እቶም ኣብ ቅድሚኡ "ክሳብ ትሰማምዑን ሓደ ኢድ ትኾኑን" ካብ ሰራሕ ደው ክንብል ኢና ዝበልዎን ብድሕሪኡ'ውን ንሓረካ ዝስገርዋን ወተሃደራትን ዘጋጠመ ፍልልያት ንምፍላጥ ኣገዳሲ'ኳ እንተነበረ፡ ጣህር ፈደብ ግን እንታይ ከም ዝተባህለ ዋላ ሓንቲ ኣይሓበረናን። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ኣኸባታት ንመሪሕነት ሓረካ ዝወከለ ንሱ ብምንባሩ ሰለምንታይ ክገልጾ ኣይደለየን ኣይርዳኣናን ኢዩ። ንሕቶታትና መልሲ ንምርካብ እምበኣር ኣብቲ ቀንዲ ሰለስተ ወተሃደራት ንሳቶም ከኣ ሙሓመድ ሰዓድ ኣደም፡ ሙሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡጥያራ)ን ዑመር ዳመርን ዝሃብዎ ሓበሬታ ክንምርከስ ኢና። ኣብ ቅድሜና ዘሎ ሓበሬታታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ዘይተዘርገሓ ተዘክሮታት

ሙሓመድ ሰዓድ፡ ዘሎ ብዙሕ ሰለዝኾነ፡ ብሕጽር ዝበለ ከትቅርቦ ኣሸጋሪ ኢዩ። ይኹን'ምበር ንምሕጻሩ ዝከኣለና ጻዕሪ ክንገብር ኢና። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ግን ካብ ምንዋሕ'ውን ኣይንቒጠብን። ንምጽፋፉ ከኣ ብቀደም ተኸተል እንሆ፡-

**ቀዳማይ** ምውሳን ናይ ግዜ ክሊ፡ እዛ ነጥቢ እዚኣ ኣገዳሲት ኢያ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ሙሓመድ ሰዓድ ኣደም፡ መብዛሕትኦም እዞም ንዛረበሎም ዘሎና ወተሃደራት ንሱ'ውን ሓደ ካብኦም፡ ኣብ 1959 ንደቡብ ሱዳን ከምዝኸዱን ኣብ መጋቢት 1961[6] ናብ ከሰላ ከም ዝተመልሱን ክገልጽ ከሎ፡ ሓደ ካብኦም ዝኾነ ዑመር ዳመር ድማ ዝያዳ ብምንጻር ኣብ መጋቢት 1959 ናብ ደቡብ ሱዳን ከምዝኸዱን ኣብ መጋቢት 1961 ድማ ናብ ከሰላ ከምዝተመልሱን የረጋግጽ።

**ካልኣይ** ንኣባልነቶም ኣብ ሓረካ ብዝምልከት። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ኣቡጥያራ፡ **"ኣብ ብርጌድና ኣብ ደቡብ 80 ኤርትራውያን ኔርና። ኩላትና ከኣ ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኔርና።"** ይብል። ከመይ ኢሎም ናብ ሓረካ ከም ዝተወደቡ ከኣ፡ **"ኣብ ደቡብ ከሎና ባንዴራና ከምዝወረደት እትሕብርን ኣብ ደቡብ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝሰርሑ ኩሎም ኤርትራውያን ብምውዳብ ናይ ገንዘብ ኣበርክቶ ንኸንገብር እትጠልብን መልእኽቲ ካብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ መጺኣተና።"** ኢሉ[7] ብተወሳኺ ኣቡጥያራ፡ ጣህር ሳልም ኣቦ መንበር ናይታ ኮሚተኦም ከምዝነበረን ወርሓዊ ውጽኢት ናብ ጣህር ፈዳብ ንከሰላ ይልኣኽ ምንባሩን ይሕብር። እንተ ሙሓመድ ስዓድ፡ ኣባላት ሓረካ ምንባሮም ብንጹር'ኳ እንተዘይሓበረ፡ ኣብ ደቡብ ኣብ ሕዳር 1960 ክሳብ ኣብ ለካቲት 1961 ናብ ከሰላ ተመሊሶም ኩነታት ዘረጋግጹ ወርሓዊ ውጽኢቶም ናብ ሓረካ ንኸይልእኩ ከም ዝተሰማምዑ ምጥቃሱ ግን ብተዘዋዋሪ የረጋግጽ ኢዩ። ጣህር ፈዳብ ድማ ኣብቲ ዘንበብናዮ መጽሓፉ እቶም ወተሃደራት ኣብ ደቡብ ከለው ኣብ ሓረካ ከም ዝወደብዎም ኢዩ ዘረጋግጽ።

**ስልሳይ** መጀመርታ ፍልልዮም ምስ ሓረካ ብዝምልከት ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ሙሓመድ ሰዓድ ኣደም፡ ካብ ደቡብ ምስ ተመልሱ ምስቲ ሓደ ካብኦም ዝነበረ ግን ከኣ ኣብ ደቡብ ከለው ወኪል ሓረካ ዝኾነ ሰሌማን ዓበ ብምርኻብ ተኸታታሊ ኣኼባታት ከም ዘካየዱን ንዘቅረብሉ ሕቶታታ ምስጢራዊ ኢዩ ብምባል መልሲ ከምዘይሃቦምን ገለ ካብቲ ዘቀረብሉ ሕቶታታ ከኣ፡ መን'ዩ መራሒ ሓረካ? እንታይ'ዩ ዕላማታታ? ምስ መሪሕነት ሓረካከ ክንራኸብ ንኽእል ዲና? ዝብል ከምዝረከብዎምን ይገልጽ። ቀጺሉ ሙሓመድ ስዓድ፡ ኣብቲ ምስ ስሌማን ዓበ ዝገበርዎ ክልተ ኣኼባታት ፍታሕ ክረኽቡ ከምዘይከኣሉ ብምሕባር ኣብቲ ኣኼባታት ከኣ ብወገኖም ሸውዓተ ብወገን ሓረካ ድማ ስሌማን ዓበ ንበይኑ ከም ዝተሳተፉ ኣረዲኡ። ስሌማን ዓበ ኣብ ምስጢራውነት ሰለዝደረቐ **"ንኹሎም ወገናት ናብቲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝካየድ ኤርትራዊ ቃልሲ ቅኑዕ መኣዝን ዘትሕዝ ናብ ዝተማልኣ ራኢዩ ንምብጻሕ"** ምእንቲ ኣኼባ ናይ ክልቲኦም ወገናት (ፖለቲካውያን መራሕትን መሪሕነት ሓረካን) ክጽዋዕ ከም ዝሓተትዎ። **"ዝኾነ ፍልልይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ንኸይርከብ ምእንቲ ስሌማን ዓበ ኣብ ውሽጢ ሰሙን መራሕቲ ሓረካ ኣብ ከሰላ ንኸርከቡ ክጽውዖም ንትስፎ" "ብወገኖም ዘሎ መሪሕነት ድማ ኣብቲ ኣኼባ ንኸስተፉ ንፖለቲካውያን መራሕቲ ካብ ወጻኢ ከጽውዕ ተማእዚዙ።"** ይብል።

**ራብዓይ** ኣብቲ ዝተወሰነ ዕለት መጋቢት 1961 ብወገኖም ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ከም ዘምጽእዎ ሙሓመድ ሰዓድ ገሊጹ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ከኣ፡ "እቲ

---

[6] ብ24/3/1989 ኣቡጥያራን ማሕሙድ ማይበቶትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ከሰላ ጉንተር ምስኡ ዘካየዱ ቃለመጠይቕ። ዑመር ዳመር ኣብ ሰራዊት ስዱን ኣብ ደረጃ መዓርግ ሰርጀንት በጺሑ ነይሩ።
[7] ቃለ መጠይቕ ምስ ጉንተር ኣብ ከሰላ 23/3/1989።

**ዘገርም መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ንጻውዒት ህዝቢ ኤርትራ ዕሽሽ ብምባል ምስታፍ ከምዝኣበየትን ካብ ኣባላታ ከም ዘይወከለትን፡ የግዳስ ስሌማን ዓበ ንበይኑ ጥራይ ከምዝተረኽበ”** ሓቢሩ። **“መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ኣኼባ ምስታፍ ነጺጋ፡”** ክብል ከምዝሓበሮም ከኣ ገሊጹ። ብድሕሪ’ዚ **“ኩሉ ናይ ምትዕጽጻፍ ኣገባባት ከም ዝተጠቐሙ”** ዝገልጸ ሙሓመድ ስዓድ፡ ምስ ስሌማን ዓበ ብምርኻብ፡ ንዕኡ ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንኽራኽብ ባይታ ከምዘጣጥሕሉ ኣረዲኡ። ወኪል ሓረካ ስሌማን ዓበ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ ዘቕረበሉ ሕቶታት ከኣ፡
**“ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ሰለምንታይ ኣብ ጅዳ ንልኡኽ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ምርኻብ ነጺግካ? ኣብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝኸድካሉ ግዜ ኣብ ጅዳ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ስራሕተኛታት ማዕከን ግብረሰናይ ኣቑምካ ይበሃል? ምስራዊት ጓል ኣንስተይቲ ተመርዒኻ ኣሎኻ ዝበሃልከ ሓቂ ድዩ፡ ሰለምንታይ ከ? ኣብ መንጎኻን ብጻይኻ ኢብራሂም ሱልጣንን ፍልልይ ተኸሲቱ ኣሎ ይበሃል፡ እንታይ ዓይነት ፍልልይ ኢዩ?”** ዝብሉ ከም ዝርከቡ ዳያሪ ሙሓመድ ሰዓድ የረድእ።

ሙሓመድ ሰዓድ ኣብቲ ዝጻሓፎ ተዘክሮታት፡ ወኪል ሓረካ ስሌማን ዓበ ቅድሚ ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምርካቡ፡ ንሶም ንዝቕርቡሉ ሕቶታት ብጽሑፍ ወይ ብቃል ወይ ከኣ ብኣካል ክምልስሎም ምዃኑ ቃል ኣትዩሎም ከምዝነበረ ይሕብር።

እንተ ዑመር ዳመር ኣብ ከሰላ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ከሎ ዝተባህለ ብዝርዝር ዘይጠቐሶ’ኳ እንተኾነ፡ ተመሳሳልነት ዘለዎ ካልእ ፍጻመ ግን ጠቒሱ። ንሱን ጣህር ስልምን ኣብ ኮረኮን፡ ሰሜን ከሰላ፡ ከለው ሽዑ ጣህር መራሒ እቲ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ኢዩ ዝነበረ፡ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ከመያይጠዎ ምእንቲ ንኽጽውዕዎ ከም ዝተሳማምዑ፡ ግዚኡ ወርሒ ሮመዳን ከምዝነበረ ይሕብር። ቀጺሉ ከኣ **“ኣባል ሓረካ ስሌማን ዓበ መጺኡና። ከም በዓል እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝኣመሰሉ ሰባት ምጽዋዕ ኣድላይነት የብሉን ድማ ኢሉና ንሕና ከም ሓላፊ ዘይኮነስ ከም ሓው ኢና ንጽውዖ ዘሎና ከኣ ኢልናዮ። ኣብ መርገጺና ምስ ጸናዕና ድማ ንሱ’ውን ገለ ሕቶታት ምእንቲ ክቕርበሉ ንኸስተፍ ሓተተና። ብወገና ኣነን ጣህር ስልምን ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። ወድዓዊ ዝኾነ ሕቶታት እውን ከትቕርበሉ ትኽእል ኢኻ ኢልናዮ።”** ይብል[8]

**ሓምሻይ** (ኣብ ወርሒ መጋቢት 1961 እውን) ምስ ጣህር ፈዳብ ዝተኻየደ፡ ጣህር ግን ኣሰቪጡ ዝሐለፎ ኣኼባታት ሙሓመድ ስዓድ ብዝርዝር ገሊጹዎ ኣሎ። ከምቲ ጣህር ዝገለጾ እቲ ኣኼባታት ልክዕ ሰለስተ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ቀዳማይ ኣኼባ ኣቦ መንበርን ኣባላትን መሪሕነት ሓረካን ኣመሰራርታኡን ድሕሩ ባይታኡን ንምፍላጥ ከም ዝሐተትዎ፡ እንተኾነ ግን ጣህር ፋዳብ **“ጉዳይ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣዝዩ ምስጢራዊ ሰለዝኾነ ብዛዕባኡ ምዝራብ ፍጹም ኣይካኣልን ኢዩ።”** ብምባል መልሲ ከም ዘይሃቦም ኣብቲ ዝጻሓፎ ተዘክሮታቱ ይገልጽ። ኣብቲ ካልኣይ ርክብ ድማ **“ጣህር ፋዳብ ብዛዕባ’ቶም ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን መራሕቲ ክንዛራረብ ሓቲቱ። ብወገና ግን እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብቲ ኣብ መንጎ ስሌማን ዓበን እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዝተኻየደ ርክብ ተዘሪብሉ ሰለዝኾነ ኣይተቐበልናዮን። ንስኻትኩም እውን ነቲ ምስ ወኪልኩም ኣብ ከሰላ ስሌማን ዓበ ዝተሰማማዕናሉ ቆጸራ ብምንጻግ ኣይተረኽብኩምን።”** ክብሉ ከም ዝመለሰሉ ሙሓመድ ስዓድ ይገልጽ። ኣብቲ ሳልሳይ ኣኼባ ድማ፡ ጣህር ፋዳብ ንኣርእስቲ ናይቲ ምይይጥ ኣብ ጉዳይ ምጽንባር ናብ ውድብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝርዝር ኣስማት ኣባላትን ወርሓዊ ውጽኢትን ጥራይ ከምዝሓጸሮ፡ ምስዚ ኩሉ ግን ብመሰረት ጠለብ ጣህር ፋዳብ ድሕሪ ወርሒ

---

[8] ቃለ መጠይቕ ምስ ጉንተር ከሰላ 24/3/1989 (Ibid)

**ንኽራኽቡ ከም ዝተሰማምዑ፡ ይኹን'ምበር ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ "ኣንጻር ተ.ሓ.ኤን ኣባላቱን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን መራሕቲን ዝቐንዐ፡ ብዙሕ ጸርፊታትን ፈኸራን ዝመልኦ ብምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝወጸ ኣዋጅ ኣብ ከተማ ከሰላ ከም ዝተዘርግሓን ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለየ ኣርእስቲታት ብተኸታታሊ ንሰለስተ መዓልታት ከም ዝወጸን"** ኣብቲ ተዘኽሮታቱ ሓቢሩ።

*    *    *

ንምኳኑ ጉዳይ ናይቶም ብተዳጋጋሚ ዝቐርቡ ዘለው ፖለቲከኛታት መራሕቲ እንታይ ኢዩ፡ ብፍላይ ከኣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብዝምልከት ፍልልያት ከ እንታይ ግደ ኣለዎ? ኣብ ምፍትሑ ይኹን ምርስሳኑኸ ተራ ነይሩዎዶ?

ጣህር ፈዳብ ኣብ መጽሓፍ **"ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብሓረካ ጨንፈር ጆዳ ብ15/4/1960 ከም ዝተወደበ፣ እዚ ድማ ጉጅለ ተማሃሮ ካይሮ ተ.ሓ.ኤ.ቅድሚ ምምስራቶም ከም ዝነበረ"** (ገጽ 76) ይገልጽ። ከምኡ'ውን **"ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብ20/8/1960 ኣብ ፖርት ሱዳን ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ መሪሕነት ሓረካ ተጸዊዑ፡ ንክልቲኡ ውድባት ኣብ ትሕቲ ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም ባዕሉ ዝረቖሖ ስም ህዝባዊ ምንቅስቓስ ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ንምስማር"** (ገጽ 76) ከም ዝተሰማምዑ ጣህር ፈዳብ ይሕብር።

እንተ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ፖርት ሱዳን ዝመጸሉ ዕለት ምስ ጣህር ፈዳብ ይፈላላ ኢዩ። ጥቅምቲ 1961 ከም ዝነበረ ከኣ ይሕብር። እንተኾነ ግን እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ነቲ ዝተበጽሓ ስምምዕ ከምዘፍረሶ ክልቲኦም ይሰማምዑ ኢዮም። ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብቲ ስምምዕ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምእንቲ ክፍርም ዘካየዶ ጻዕርታት ክዝርዝር ከሎ፡ ክሳብ ማዕርፎ ነፍርቲ ምስኡ ከምዝኸደ፡ እንተኾነ ግን እድሪስ ዝከታተሉና ኣባላት ጸጥታ ሱዳን ኣለው ብምባል ከም ዝኣበየን ናብታ ዝኸዳ ዝነበረ ከተማ ጆዳ ክለኣኽሉ ከምዝጠለበን፡ ንሳቶም እውን ብልክዕ ከም ዝላኣኽሉ፡ እንተኾነ ግን ብዘይ ውጽኢት ከምዝተረፈ ይሕብር። (ገጽ 387-389)

ጣህር ፈዳብ ከኣ ብወገኑ ኣብዛ ነጥቢ እዚኣ **"ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ካይሮ ምስ ተመልሰ፡ ነቲ ስምምዕ ኣብ ባይታ ንምትግባር ሓደ ጉጅለ ተማሃሮ ክልእኽ ነይሩዎ። እንተኾነ እቲ ዘሕዝን ሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብቶም ብምሉእ እምነት ኣብ ቅድሚ ሓረካ ዝዛረበሎም ዝነበረ ተማሃሮ ናይ ደገፍ መልሲ ሰለዘይረከበ፡ ክመጹ ኣይከኣሉን። እቲ ክልተ ኣስማት ከኣ ኣይተለወጠን።"** (132) ዝብል ሓበሬታ ወሲኹ።

ይኹን'ምበር ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝተፈልየ ርእይቶ ኢዩ ዘለዎ። ብ21/11/1961 ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ናብ ሶማል ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ **"ዜና ሱዳን"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብዛዕባ'ዚ ሕጂ እንዛረበሉ ዘሎና ስምምዕ ኣመልኪቱ እዚ ዝስዕብ ምሉእ ሓሳብ ኣሰፊሩ ኣሎ። **"ጉጅለ ፖርት ሱዳን ነቲ ኣብ ዝሓለፈ መልእኽተይ ዝሓበርኩኻ ንድፊ ስምምዕ ኣይለኣኹልናን። እቲ ተስማሚዕናሉ ዝነበርና፡ ነቲ ስምምዕ ናብ ብጾት ንኽቕርቦ ናብ ካይሮ ንኽልኡኹለይ ኢዩ ነይሩ፡ ዋላ'ኳ ብመትከል ምእንቲ ሃገር ብሓደ ክንሰርሕ ተስማሚዕና እንተነበረና። እንተኾነ ግን ኣይገበርዎን። ከም ዝመሰለኒ መደናገርቲ ባእታታት ሰለዝረኸብዎም ከም ዝጠራጠሩ ገይሮምዎም ኣለው። ብዝኾነ ንሕና ግቡኡና ጌርና ኣሎና። ጉዕዞና ከኣ ቀጻሊ ኢዩ።"**

ካብዚ ዝቐረበ ሓሳባት ዝበርሀ ነገር እንተሃልዩ፡ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም ነቲ ኣብ ፖርት ሱዳን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣቐዲሙ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓቢሩዎ ከም ዝነበረን ኣብዚ ናይ ሕጂ ደብዳበ ድማ ክስብ'ታ ደብዳበ ዝጸሓፈሉ ዕለት 21/11/1961 ንድፊ ናይቲ ስምምዕ ከምዘይበጽሐ ጥራይ ይሕብሮ ከምዝሎን ኢዩ። እዚ'ውን ኣብቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ7/11/1961 ዝጸሓፎ መልእኽቲ ተረጋጊጹ ኣሎ። መልእኽቲ ሳበ **“ንናይ ኤርትራውያን መጻዋዕታ ኣብ ፖርት ሱዳን ምቅባልካን ምስኡም ኣብ ስምምዕ ምብጻሕካን ብዙሕ ዝታሓጐስክሉ ጉዳይ ኢዩ። ጸላእቲ ንቃልሲ ተጋደልቲ ብድሕሪት ንምህራም ምእንቲ ብመገዲ ሱልጣንን ወልድኣብን ኣቢሎም ከም መሳርሒ ንኽይጥቐምሎም ከኣ ንምኽሳቦምን ንምዕጋቦምን ኩሉ ጻዕርታትካ ፈትን። ኩሉ'ቲ ምስኦም ዝወሰድካዮ ስጉምቲታት ስም ናይቲ ውድብ ንውድቦም ብዝጠቓልል መገዲ ምምሕያሹ ይኹን ከምኡውን ኣብ ጉዳይ ቅዋም ብጣዕሚ ጽቡቕ ኢዩ። ኣምላኽ ምሳኻ ይኹን።”** ይብል።

ንኩሉ'ዚ ሓበሬታታት'ዚ ድሕሪ ምንባብ፡ ብዙሕ ሕቶታት ኣብ ኣእምሮ ኣንባቢ ከምዝመጽእ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ቀድሚ ኩሉ ዝለዓል ሕቶታት ከኣ፡ ሰለምንታይ እዚ ኩሉ ተገራጫውን ተዋቃዊን መግለጺታት መጺኡ፡ ኣየናይ ኢዩ ከ እቲ ንሓቂ ዝቐርበ? እቲ መሪሕነት ሓረካ ብድርቕና ዝጸንዓሉ “ምስጢር” ድዩ ነቶም ክልተ ምትእኽኻባት ካብኡ ንኽርሕቑ ጠንቂ ዝኾነ? ዋላስ እቲ ጠንቂ መሪሕነት ሓረካ ኣንጻር'ቲ ክልቲኦም ምትእኽኻባት ዝደፍኡሉ ዝነበሩ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝብል ሓሳብ ደው ሰለዝበለ ኢዩ? መሪሕነት ሓረካ ፖለቲካውን ህዝብውን ክብደት ናይዞም ክልተ ምትእኽኻባት ይፈልጥ ክነሱ ሰለምንታይ ኣብ ምኽሳቦም ፈሺሉ? … ወዘተ። ብሓቂ መልሲ ክርከበሉ ዝግባእ ሕቶታት ኢዩ። እንተኾነ ግን መልሲ ናይዚ ሕቶታት'ዚ ብሓደ ውሱን ኩርናዕ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍና ዝኣቱ ኣይኮነን። ንዓና ዘገድሰና፡ ጽልዋ ሓረካ ኣብዞም ክልተ ምትእኽኻባት ክሳብ ክንዳይ ከምዝነበረን ንሳቶም ከኣ ብኸመይ ከም ዝሰገሩዋን ምፍላጥ ጥራይ ምኳኑ ንኣንባቢ እንደገና ምሕባር ዝጽላእ ኣይኮነን።

እንባኣርከስ ካብዚ ኩሉ ሓበሬታታት እንታይ ውጽኢት ንረክብ?

1. ኣብ ናይ ግዜ ቀደም ተኸተል መጺእና ክልቲኣን ምንቅስቓሳት ቅድሚ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝነበራ እየን። ንሳተን፡ ዋላ'ኳ ሰንዲካዊ መልክዕ እንተወሰዳ፡ ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ ንጹር ሃገራውን ፖለቲካውን ትሕዝቶ ዝነበረን እየን። ብዘይካ'ዚ ከኣ፡ ክልቲኣን ምትእክካባት ብሱላት ምትእክካባት እየን ኔረን። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ መሪሕነት ሓረካ ከም ብሱላት ምንቅስቓስት ክፈልጦምን በዚ መሰረት ከኣ ምስኦም ክዋሳእን ይጽበዩ ከም ዝነበሩ ክንግምት ንክእል። ካብ መሪሕነት ሓረካ ግን ምንጻግ እንተዘይኮይኑ ዝረከብዎ የለን። ነዚ ዘረጋግጸልና ድማ መሪሕነት ሓረካ ንምፍላጥን ምስኡ ንምርኻብን ንምርድዳእን ብወገኖም ከም ሕጋዊ ብወገን ሓረካ ግን ከም ዘይሕጋዊ ዝተጠመተ ንዘቅረብዎ ሕቶታት መሪሕነት ሓረካ ክምልሶ ፍቃደኛ ዘይምኳኑ ኢዩ።
2. ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ በቲ ዝመረጾ ኣገባብ ቃልሲ ይኹን በቲ ምስዞም ክልተ ምትእኽኽእባት ዝተኸተሎ ፖለቲካዊ ክትዕ ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ነይሮም ኢልና ክንዘረበሉ እንኽእል ጽልዋ ክገብረሎም ከምዘይከኣለ ክንዕዘብ ንኽእል።

- ተማሃሮ ካይሮ ኣባልነቶም ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ካብ ሰሙን ንላዕሊ ከም ዘይቐጸለ ማለት ካብቲ ብሓረካ ከምዝምእዘዙ ቃል ዝኣተውሉ 29/5/1960

ክሳብ'ቲ ቃሎም ዝሰሓብሉ 5/6/1960 ጥራይ ምኺኑ ጣህር ፈዳብ ባዕሉ ይኣምን ኢዩ። መሰራቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ስም ተማሃሮ ካይሮ ኣብ መጽሓፉ ከይጠቐስ ክሓልፎ ዘገደዶ እውን እዚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። በዚ ይኹን በቲ ኅሲኻ ምሕላፍ ንባዕሉ፡ ነቲ ተማሃሮ ካይሮ ንምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ በቲ ንሳቶም ዝመረጽዎ ኣገባብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ሃገራዊ ሓርነት ብዘብጽሕ መገዲ ከመርሕ ዝኽእል ብቁዕ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሰለዘይርኣይዎ ብኡኡ ኣይተጸለውን ዝብል ግምትና ዝረጉድ ኢዩ። ጣሃ ሙሓመድ ኑር ነዛ ነጥቢ እዚኣ ክብርህ እንከሎ፡ ጣህር ፈዳብ ብዛዕባ መንነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ክዕግቦም ሰለዘይክኣለ ርክቦም ምስኡ ከምዝበተኹን ኣገባብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኽተል ውድብ ንምምስራት ከም ዝተሰማምዑን የረጋግጽ።

- እንተ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ጉዳዮም ብርእይቶና ካብ ጉዳይ ተማሃሮ ካይሮ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ብናይ ግዜ መቓን ክንጅምር። እዞም ወተሃደራት እዚኣቶም ኣብ ወርሒ መጋቢት 1959 ናብ ደቡብ ሱዳን ክኸዱ ከለው፡ ኣብ ለካቲት 1962 ድማ ናብ ከሰላ ተመሊሶም። ሰለዚ ከኣ ኣብ ደቡብ ክልተ ዓመት ገይሮም ማለት ኢዩ። እዚ ከኣ ሙሓመድ ስዓድን ዑመር ዳመርን ይሰማምዕሉ። እቶም ወተሃደራት ኣብ ለካቲት 1961 ካብ ደቡብ ምስ ተመልሱ (ከምቲ ጣህር ፈዳብ ዝበሎ ኣብ ጥቅምቲ 1960 ኣይኮነን። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም እውን ኣብ ጥቅምቲ 1960 ኣብ ሶማል ኣይነበረን። ኣብ ለካቲት 1961 ኢዩ ነይሩ። ንሱን ዑስማን ሳልሕ ስባን ከኣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝቕጽል እነቅርቦ ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ኣቀሞም) ምስ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ መኻን ዘተ ኢዮም ኣትዮም። መደመደምታኡ ከኣ ሩኡይ ፍትሕ ኮይኑ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሙሓመድ ስዓድ ኣብ መዘከራቱ ንጉዳይና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ'ውን ኣቕሪቡ ኢዩ። እቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ሕዳር 1960 ንዑመር ሓመድ እዛዝ ምስቶም ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ መራሕቲ ንኽራኽብ ካብ ደቡብ ሱዳን ንካርቱም ከምዝለኣኹዎ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ኮይሮ ሰለዘይነበሩ ክረኽቦም ከም ዘይከኣለ፡ ብድሕሪኡ ዑመር እዛዝ ንከሰላ ብምኻድ ንስሌማን ዓበ ከምዝረኸበን ንሱ ድማ ብዛዕባ ሓረካ ዘለዎ ሓበሬታታት ከም ዝሃቦ፡ ካብኡ ቀጺሉ ዑመር ንኤርትራ ከምዝኸደን ናይ ሓረካ ንጥፈታት ምስ ተዓዘበ ድማ ነቶም ዝረኸቦም ሰባት ምስቲ ውድብ ዝገብርዎ ምውሳእ ጥንቃቐ ዝመልኦ ከኸውን ከም ዘለዎ ኢሉ ከም ዝሓበሮም ናብ ደቡብ ክምለስ ከሎ ኣብ ከሰላ ስሌማን ዓበ ዝሃቦ ናይ ሓረካ ጽሑፋት ሒዙ ከምዝመጸም ይገልጽ። ቀጺሉ ሙሓመድ ስዓድ፡ ዑመር እዛዝ ምስ ተመልሶም ኣኸባ ብምክያድ ክሳብ ኣብ ለካቲት 1961 ናብ ከሰላ ዝምለሱ ነቲ ዝኸፍልዎ ወርሓዊ ውጽኢታት ከይለኣኹ ደው ከብልዎን ነዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ናብ ኩለን ኣብ ሱዳንን ኤርትራን ዝርከባ ጨንፈራት ክዝርግሕዎን ከም ዝወሰኑ ይሕብር።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኣበሃህላታት እዞም ወተሃደራት ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ነይሮም፡ ክሳብ መሰራቲ ሓረካ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ብዘይ ገለ ዕቓበ፡ እዚኣቶም **"ኣብ ውሽጢ ሓረካ ሰለዝነበሩ ብሃገራውን ሰውራውን ሰነሓሳብ ጸጊቦም ኢዮም፡"** (ገጽ 68) ኢሉ ንኽጽሕፍ ዘገደደ ስነ ሓሳብ ሓረካ ኣብ ኣእምሮኦም ሰሪጹ ነይሩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ዲና? ንግደ ሓቂ እዞም ወተሃደራት እዚኣቶም ቅድሚ ምምስራት ም.ሓ.ኤ ሃገራዊ ስምዒት ከም ዝነበሮም ምዝራብ ንሓቂ ምድጋም'ዩ። ሰለዝኾነ ከኣ ም.ሓ.ኤ ሃገራውን ሰውራውን ስነ ሓሳብ ኣጸጊባቶም ምባል ፍትሓዊ ኣይኮነን። ብዝኾነ ነዛ ነጥቢ እዚኣ ጣህር ፈዳብ ኣነጺሩዋ ኢዩ። ንሱ **"ኤርትራውያን ወተሃደራት ብሰነ ሓሳብ ሓረካ ኣይጸገቡን ንመትከላቱን ፕሮግራማቱን ሕጊታቱን መደረኻት ቃልሱን እውን ኣይፈለጥዎን።"** ኢሉ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ዘረጋግጸ ጉዳይ

እንተሃልዩ ከኣ፡ ኣባልነት ናይዚ ምትእኽኻብ'ዚ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ በቲ ንሳቶም ዝኣምንሉን ቀንዲ ኣቃልቦኦም ስሒቡ ዝነበረን ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክሳብ ክንደይ ሓረካ ይምእዘዘሉ ዝተኣሰሰረ ኣባልነት ኢዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ካብ መሪሕነት ሓረካ መልሲ ምስ ስኣኑን ንሕቶታቶም ምምላስ ምስ ነጸገን ድማ ርክባቶም ካብ ምብታኽን መጻኢ መገደም ካብ ምምራጽን ድሕር ኣይበሉን።

3. ጉዳይ ፖለቲካኛታት መራሕቲ ብፍላይ ከኣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ መጀመርታ ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ምትእኽኻባትን መሪሕነት ሓረካን ጥዑይ ዝምድና ንኸይቐውም ተራ ከም ዝተጻወተ ክንዕዘብ ንኽእል። ነዚ ድማ ብክልተ መገዲ ክንርእዮ ኢና።

**ቀዳማይ፡ መርገጺ ሓረካ ኣብ ልዕሊ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም።** መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ካብ መጀመርታ ምስ እድሪስ ካብ ስግኣትን ዘይምትእምማንን ተበጊሱ ዝተዋስኣ ይመስል። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ንምንጻሉ ወይ ከኣ እንተ ወሓደ ተራኡ ንምንኣስ ይደሊ ነይሩ። ሙሓመድ ኣደም ገሲር ብመሰረት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝሃቦ መደብ ካብ ኤርትራ ተመሊሱ ኣብ ከተማ ከሰላ ምስ ተቐመጠ፡ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ካብ ፖርት ሱዳን መጺኡ ኣባል ሓረካ ንኸኸወን ከም ዝሐተቶን ምስ ካልኦት ንሱ ዝዝክሮም ድማ ንኣባልነት ሓረካ ከም ዝተቐበሎ ንጥፈታት ሓረካ ኣብ ዞባ ከሰላ ክመርሕ ከም ዝተመዘዘን ይግልጽ። ሽዑ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ “**ንስኻ ኣብ ሓረካ ተወዲብካ፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮንካ ኣሎኻ። ሰለዚ ካብ ሕጂ ንድሓር ዝኾነ መልእኽቲ ካብ ፖለቲከኛታት መራሕቲ ብፍላይ ከኣ ካብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምስ ዝመጸካ ከተረክበና ኣሎካ።**” ከም ዝበሎ ይሕብር። ኣደም ገሲር ብወገኑ ናብኡ ዝተላእኸ መልእኽቲታት ክህቦም ከም ዘይክእል ብምቅዋም፡ ትሕዝቶኡ ንኽሕብሮም ግን ከምዝተሰማምዐ የረድእ። ካልእ፡ ሙሓመድ ስዓድ ዝዝክሮ ፍጻመ ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣብቲ ምስ ወኪል ሓረካ ስሌማን ዓበ ብምስምማዕ ኣብ መጋቢት 1961 ኣብ መንጎ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን መሪሕነት ሓረካን ኣኸባ ክካየድ ዝተወሰነ ዕለት መሪሕነት ሓረካ ምስታፍ ምእባዩን ወኪሎም ስሌማን ዓበ ክራኸቦ ምምዘዙን ኣብ ኣእምሮኦም ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝገደፈ ምግላጹ ኢዩ። ሳልሳይ ፍጻመ ከኣ ዑመር ዳመር ዝገለጾ ኮይኑ፡ ወኪል ሓረካ ስሌማን ዓበ ነቲ ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንምምይያጥን ሓሳባት ንምልውዋጥን ምእንቲ ንምጽውዑ ብኡኡን ጣህር ሳልምን ዝተወሰደ ተበግሶ ምቅዋሙ ኢዩ። ብርእይቶና መሪሕነት ሓረካ ነቲ እቶም ክልተ ምትእኽኻባት ኣብ ልዕሊ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዘርኣይዎ ተማእዛዝነት ግምት ኣይሃቦን። ንሳቶም ካብ ኤርትራ ክወጽእ ከምዘለዎ ምሕባሮምን ኣብ ምውጻኡን ንካይሮ ኣብ ምስዳዱን ምስታፎምን ካብ ናይ ግብረሰናይ ማዕከን ገንዘብ ኣውጺኦም ምሕጋዞምን ከኣ ንመራሕነቱ ከም ዝተቐበሉ ዘረድእ ኢዩ። ከምኡውን መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ እዚ ሓቒታት እናፈለጠ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንምክሳብ ክጥቓስ ዝከኣል ጻዕሪ ኣየካየደን። ዋላ እቲ ጣህር ፈዳብ እድሪስ ኣብ ግንቦት 1960 ኣብ ጀዳ ኣባልነት ሓረካ ተቐቢሉ ክብል ዝገለጾ ክትምርኮሰሉ ዘይትኽእል ድኹም ነጥቢ ኢዩ። ምኽንያቱ ቀዳማይ ሙሓመድ ሰዒድ ናውድ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዘይምዝራቡ፡ ብኻልኣይ ደረጃ ከኣ ጉዳይ እድሪስን ምስቶም ክልተ ምትእኽኻባት ዝነበሮ ዝምድናን ኣቓሊልካ ብምርኣይ ከም ሓደ ተራ ውልቀ ሰብ ኣብ መስርዕ ሓረካ “**ተወዲቡ**” ምባል መሪሕነት ሓረካ ክገብሮ እድሪስ ድማ ክቕበሎ ዘይንጽበዮ ሰለዝኾነ።

**ካልኣይ፡ ስምምዕ “ሓረካ” ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም።** ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ክሳብ ሕጂ፡ ብዛዕባ ተመኩሮ ሓረካ ዝጸሓፉ ቀንዲ ክልተ መራሕቲ ሓረካ እድሪስ

ሙሓመድ ኣድም ነቲ ኣብ ፖርት ሱዳን ዝተበጸሐ ስምምዕ ከም ዝፍረሶ እዮም ዝስማምዑ፡ እንተኾነ ግን ካብዚ ዝተፈልየ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝሃበ ሓበሬታ ረኺብና። ንሱ "ጉጅለ ፖርት ሱዳን" ናይቲ ምስኦም ዝተበጸሐ ንድፌ ስምምዕ ክሳብ'ታ ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ21/11/1961 ደብዳበ ዝጸሓፈላ ዕለት ከምዘይላኣኩሉ ኢዩ ዝኸሰስ። ብዛዕባ ዕለት ናይቲ ኣብ ፖርት ሱዳን ተበጺሑ ዝበሃል ስምምዕ ድማ እቲ ሓቀኛ እቲ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ጥቕምቲ 1961 ዝበሉ ኢዩ። እቲ ዕለት 20/8/1960 ኢሉ ጣህር ፈዳብ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ኣይኮነን። ጭብጥና ከኣ እታ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ7/11/1961 ናብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝለኣኻ ደብዳበ ኢዩ። እዚ ድማ መልእኽቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ወይ ከኣ ኣብ መጀመርታ ሕዳር ከምዝነበረት ክሕብረና ይኽእል። እዚ ከኣ ነቲ ናውድ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ዕለት ሓቂ ምዃኑ የረድኣካ። ኣብቲ ክልቲኦም ወገናት ዘቅረብዎ ተገራጫዊ ሓሳባት ንመለስ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ መርገጺና ፍርዲ ናይ ምሃብ መርገጺ ኣይኮነን። ዕላማና ጠንቂ ፍልልያቶም ኣጽኒዕካ ንሓደ ንምኹናን ንሓደ ከኣ ናጻ ንምውጻእ ኣይኮነን። ንዓና ዘገድሰና ፖለቲካዊ ዝምድናታት ናይዞም ክልተ ወገናት ዝማዕበለሉን ዝተባራዓሉ ባህሪ ናይቲ ባይታ ንምፍላጥ ኢዩ።

ካብዚ ተበጊስና እምበኣር ክሳብ ንግምታትና ዘውድቕ ሓበሬታታት ዝርከብ እዚ ዝስዕብ መደምደምታታት ክንህቦ ንክእል ኢና።

1. ዝምድናታት ክልቲኦም ወገናት፡ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ምትእኽኻባት ካይሮን ሱዳንን ካብ መጀመርታ ኣብ ኣገባባት ምሕራር ሃገር ፍርህታትን ምጥርጣርን ዝመልኦ ኣብ ልሕሉሕ ባይታ ዝተሰረተ ኢዩ።
2. ምትእኽኻባት ካይሮን ሱዳንን፡ ንነፍሶም ንዕጥቃዊ ቃልሲ ኣደልዮማ ነይሮም፡ እንተኾነ ግን ብወገን መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ምርጫኦም ተቐባልነት ኣይረኸበን። ንሳቶም ድማ ከምቲ ዝተረድእዎ ንሓደ ስዓቡና እምበር ብዛዕባ ኣገባባትን መሪሕነትን ኣይትሕተቱና ዝብሎም መሪሕነት ሕድገታት ክገብሩ ኣይደለዩን።
3. ኣብ መንጎ ክልቲኦም ምትእኽኻባት ካይሮን ሱዳንን መሬት ንምሕራር ከም ዕውት ኣገባብ ዝወሰድዎ ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኢዩ። ኣብ ልዕሊ ም.ሓ.ኤ. ሓደ መርገጺ ክወስዱ ዝገበሮም እውን ንሱ ኢዩ።
4. ብወገን'ቶም ምትእኽኻባት፡ ካብ መጀመርታ ኣብ ዕግበት ዝተሰረተ ተማእዛዝነት ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣይነበሮምን። ተማእዛዝነት ነይሩ እንተድኣ ኮይኑ ድማ ም.ሓ.ኤ. ብምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ እንተድኣ ዘይተቐይደ ክፈርስ ዝኽኣል ቅድመ ኩነት ዝነበሮ ተማኣዛዝነት ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ መሪሕነት ሓረካ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምክያድ ዕቱብ ከምዘይኮነ ኣብ ዝዓገብሉ እዋን ነቲ ዝምድና ንምብታኽ ኣይተወላወሉን። ብፍላይ ከኣ እዚ ኣብ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ተጋሂዱ ኢዩ። እንተ ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮ ካብ መጀመርታ ጥንቃቕ ብዝመልኦ ኣገባብ ኢዮም ዝኸዱ ነይሮም።
5. እቲ ንሃገራዊ ቃልሲ ክመርሕ ዝተበገሰ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ነዚን ክልተ ምትእክካባት ክከስቦም ኣይከኣለን። እቲ ዝጠለብዎ ርክብ እውን ብሰንኪ መሪሕነት ሓረካ ኣብቲ እቶም ምትእኽኻባት ብዘይካ ዘይዕቱብነትን ህድማን ካልእ ትርጉም ዘይሃበሉ ዓንኬል ምስጢራውነት ብምሕባኡ ፋሺሉ።
6. ኣብ መንጎ'ቶም ምትእኽኻባትን ም.ሓ.ኤ. እውን ብዛዕባ ኣገባባት ሓርነት ዘተ ተኻይዱ ከብቅዕ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ተፋላልዮም። እቲ ነቶም ምትእኽኻባት

ናታቶም መጻኢ መገዲ ክወስዱ ዘገደዶም ከኣ ንሱ ኢዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

# ምዕራፍ 2

# ምምስራት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

## 1. ተማሃሮ ካይሮ

ኣብ ሓምለ 1960 ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ፖለቲካዊ ውድብ ንኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ኣገባብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኽኸተል ዝመስረትዎ ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮ ኢዩም። ብእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝምራሕ ማእከላይ ሽማግለ ዝተሰምየ መራሕነት ድማ ቆመ፡ ሓደ ካብቶም ተማሃሮ ዝነበረ ጣሃ ሙሓመድ ኑር ከም ዝገለጾ፡ ተማሃሮ ካይሮ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰዱ ተኸታታሊ ኣኸባታት ምስ ወኪል ም.ሓ.ኤ ጣህር ፈዳብ ድሕሪ ምኽያዶምን ብዛዕባ ሓረካን ዕላማታቱን መትከላቱን ክገልጽሎም ድልው ከም ዘይኮነ ምስ ተረድኡን ኢዩ። እዚ ድማ ምስ ጣህር ርክቦም ኽበትኩን ሃገር ሓራ ንምውጻእ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ከም ኣገባብ ዝኣምን ውድብ ንምምስራት ብዕቱብ ከሓሰቡን ደረኹዎም። ምኽንያቱ ብወገን መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ድልውነት ሰለዘይርኣዩ።

ተማሃሮ ካይሮ ብሃገራዊ ጉዳይ ኣመና ዝሓስቡ ኢዮም ነይሮም። ንጉዳዮም ኣብ ካይሮ ኣብ ውሽጣውን ኣህጉራውን መጋባእያታት ኣብ ምቅላሕ ንጡፋት ነይሮም። ንጉዳዮም ኣህጉራዊ ክብደት ንምሃብ ድማ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ካብ ኤርትራ ንኽወጽእ ብምጽዋዕ ተበግሶ ዝወሰዱ ንሳቶም ኢዮም። ምስዚ ኩሉ ከኣ ምስ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ተከታታሊ ርክባት ድሕሪ ምክያዶምን ውጽኢት ምስኣኖምን እንተዘይኮይኑ ኣብ ምምስራት ፖለቲካዊ ውድብ ኣይተቓዳድሙን። ውድብ ሓረካ ናብቲ ንሳቶም ዝሓሰብዎ ዕቱብ መገዲ ቃልሲ ከመርሖም ከም ዘይክእል ምስ ዓገቡ ከኣ ኢዮም ካብኡ ክወጹ ወሲኖም። እቶም ምስ "ሓረካ" ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተዛተዩ ካብ ዓበይቲ ተማሃሮ ከይኖም፡ ካብ መንጎኦም እቶም ድሕሩ ኣብቲ ሓድሽ ውድብ መሪሕነት ዝኾኑ በዓል እድሪስ ዑስማን ገለውዴዎስ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድ፡ ስዒድ ሑሴንን ጣሃ ሙሓመድ ኑርን ይርከብዎም።

ተማሃሮ ካይሮ ንመሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ዘይምምእዛዞምን በቲ ንሱ ዝደልዩ መገዲ ዘይምኻዳምን ጉጉያትዶ ነይሮም ኣይነበሩን፡ ከምኡውን መሪሕነት ሓረካ ምስኦም ኣብ ዘካየዶ ርክባት ልቦና ዝጎደሎ ነይሩዶ ኣይነበረን ዝገድሰና ኣይኮነን። እቲ ንዓና ዘገድሰና ሓደ ሐቂ ምርግጋጽ ኢዩ። ንሱ ከኣ ምምስራት ተ.ሓ.ኤ. ብፍላይ ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ውጽኢት ቀጥታዊ ፍሽለት ናይቲ ኣብ መንጎ ሓረካን ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮን ዝተካየደ ዘተ ምኳኑ ኢዩ።

ተማሃሮ ካይሮ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ናይቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኸተል ዝመስረትዎ ውድብ እቶም ሰለስተ መራሕቲ ኣብ ካይሮ ናይ ፖለቲካዊ ዕቑባ መሰል ዝነበሮም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ወልድኣብ ወልደማርያምን ኢብራሂም ሱልጣንን ክኾኑ ኢዮም ዝደልዩ ነይሮም። ምእንቲ'ዚ ዕላማ'ዚ ከኣ ንዓታቶም ረኺቦም ሓሳባቶም ገሊጸምሎም። እንተኾነ ግን ብዘይካ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ጎኖም ደው ዝብል ኣይረኸቡን። ኣብቲ ርክብ ዝተሳተፈ ጣሃ ሙሓመድ ኑር ነቲ ሽው ብቓላቶም ዝተዘረብዎ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡዎ።

- እድሪስ ሙሓመድ ኣድም፡ "ብዘይካ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካልእ ምርጫ የለን፡ ስለዚ ግንባር ንምምስራት ክንሰርሕ ኣሎና። ልክዕ'ዩ ዓቅሚታት ይሓጽረና ኢዩ። ናይ

ግድን ግን ተስፋ ክህልወና ኣለዎ። ዋላ'ኳ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብርቱዕ እንተኾነን ዝሕግዘናን ዝፈልጠናን እንተዘይብልናን ናይ ግድን ግን ክንእውጆ ኣሎና።"

- ኢብራሂም ሱልጣን፡ "ኣነ ውድብ ኣሎኒ። ንሱ ከኣ ራቢጣ ኢስላሚያ ኢዩ። እዚ ውድብ እዚ ከኣ ኣሎ። ንምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ፖለቲካዊ ስራሕ ዝመርሕ ዝነበረ ከኣ ንሱ ኢዩ። ኣነ ከኣ ኣቦ መንበር ናይዚ ውድቡ'ዚ እየ። ሰለዚ ከኣ ናብ ካልእ ውድብ ክጽንበር ኣይኮንኩን። ኣነ ዝኾነ ነገር ክትገብሩ ኣይክልክለኩምን እየ፡ ይኹን እምበር ኣብቲ ውድብ ክጽንበር ኣይክንኩን።"
- ወልድኣብ ወልደማርያም፡ "እንጻር ኢትዮጵያ ኣገባብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክንጥቀም ዘኽእለና እኹል ሓይሊ ሰለዘይብልና ኣነ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣይድግፎን እየ። ኢትዮጵያ ሓያል ሰራዊት ትውንን ኢያ። ከምኡውን ከም በዓል ኣሜሪካ ዝኣመሰላ ናይ ወጻኢ ደገፍቲ ኣለዋ። ሰለዚ ከኣ በዚ ኣገባብ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ሓራ ነውጽእ፡ ዓቢ ጉድኣት ከነምጽኣሉ ኢና።"[9]

ብድሕሪ'ዚ ተማሃሮ፡ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ዝተረኸበሉ ተኸታታሊ ኣኼባታት ብምኽያድ ጉዳይ ቅዋምን ፕሮግራም ውድብን ኣብ ኩሉ መዳያት ብኸመይ ይንቀሳቐሱን ብሰፊሑ ተመያይጦም። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ብእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝምራሕ፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድ፡ ስዒድ ሑሴን፡ ዑስማን ኢብራሂም በሺር፡ ኣደም ሙሓመድ ዓሊ ኣከተ፡ ሙሓመድ ስዒድ ዑመር (ዓንጠጣ)፡ ኢብራሂም ኣሕመድን ስሌማን ሙሓመድ ኣሕመድን ዝኣባላቱ ማእከላይ ሽማግለ ኣቑሞም።

ከምዚ ኢሎም ከኣ ምትእኽኻብ ተማሃሮ ካይሮ ነዚ ዓቢ ስራሕ ኣብ ምምራሕ ቅድሚት ተሰሊፎም። እዚ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ምጽባይን ብናይ ኣህጉራዊ ምትእትታው ምስ ቀበጹን ደድሕሪ ጉባኤታትን ዋዕላታትን ካይሮ ምካድ ውጽኢት ከምዘይብሉ ምስተረድኡን ከምቲ ጣሃ ሙሓመድ ኑር ዝበሎ ነቲ "ንጹር ዕላማ ፕሮግራምን" ዘይነበሮ ውድብ ም.ሓ.ኤ. ተስፋ ምስ ቆረጹን ዝወሰድዎ ምርጫ'ዚ ክሳብ ክንደይ ከቢድን ሓደገኛን ምኳኑ ኣይፈልጥዎን ኢዮም ነይሮም ክባሃል ኣይካኣልን'ዩ። ነዚ ሓድሽ ውድቦም ምስ መሰረቱ፡ ኣብቲ ም.ሓ.ኤ. ዝነጥፈሉ ሜዳ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ክነጥፉ ምኳኖም፡ እዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ንዓወት ሰውራ ክሰምር ዝነበሮ ሓይሊ ሰውራ ምፍንጫል ከም ዘስዕብ ይርድኡ ምንባሮም ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ኣእምሮን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ዝተቐረጸ ምኳኑ ጽኑዕ እምነት ነይሩዎም። እዚ ድማ ንሳቶም ንኩውንነት ናይቲ እዋን'ቲ ካብ መሪሕነት ሓረካ ንላዕሊ ኣስተማቒሮሞ ከምዝነበሩ የረዳእና።

ንምኳኑ መርገጺታት ናይቶም ሰለስተ ፖለቲካውያን መራሕቲ ኣብ ተበግሶ ናይቶም ተማሃሮ ስለምንታይ ተፈላልዩ? ስለምንታይ ከ ብፍላይ ወልድኣብ ወልደማርያምን ኢብራሂም ሱልጣንን ኣብቲ ዕቱብ ተበግሶ ናይ ደቆም ተማሃሮ ዕቃብ ኣርእዮም?

ወልድኣብ ወልደማርያም ተ.ሓ.ኤ. ኣብ እትምስረተሉ ዝነበረት እዋን፡ ኣባል ም.ሓ.ኤ. ወይ ከኣ ኣባልነታ ንምቅባል ምስ መሪሕነት ናይቲ ውድብ ኣብ ዘተ ከምዝነበረ ድሒሩ ዝተረጋገጸ ጉዳይ ኢዩ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ናብ ካልእ ገና ኣብ ምምስራት ዝርከብ ውድብ ክቅይር ኣይደለየን።

---

[9] ጣሃ ሙሓመድ ኑር ቃለመጠየቕ

እንተ ኢብራሂም ሱልጣን ግን ዋላ ክሳብ መጨረሽታ ስውራ ማዕቢልሉ ዝንበረ እዋን ከይተረፈ ብህላወ ኣራቢጣ ኣልእስላማያን ንሱ መራሒኡ ምኳኑን ጽኑዕ እምነት ኢዩ ነይሩዎ፡ ንሱ ከኣ ናቱ ልኡኽ ምዃኑን ይገልጽ ነይሩ። ንኣብነት ኣብቲ ድሒሩ ብ2/2/1969 ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዘመሓላለፎ ኣዋጅ **“ብህዝብን ሰልፊ ራቢጣ ኣልእስላሚያን ተመዚዞ ካብ ሃገረይ ከም ዝወጻእኩ ትፈልጡ ኢኹም።”** ይብል። ከምዝመሰለና ኢብራሂም ሱልጣን ካብቲ ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ብትብዓት ዝተቓለሰን ዝለዓለ ናይ ተወፋይነትን ስኒትን ኣብነት ዝኾነን ሰልፊ ናብ ካልእ ሰልፊ ወይ ውድብ ክቕይር ኣይደለየን። ምናልባት’ውን ናብ ካልእ ውድብ ምኻድ ምስ ደረጃኡ ዘይሳነ ንዕላማታት ሰልፊ ኣራቢጣ ኣልእስላሚያ ከም ምኽሓድ ይቆጽሮ ነይሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ንምዃኑ እዚ ጥራይ ድዩ’ሽ እቲ ጠንቂ? ንሱ ጥራይ ኢዩ ዝብል እምነት የብልናን። ኣብ መንጎ’ዞም ከም ናይ ፖለቲካ ሰደተኛታት ኣብ ካይሮ ንኽጥርነፉን ኣብ ቅድሚ ሓደ ዕላማ ምቕዋም ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ክሰርሑን ኩነታት ዘገደዶም ሰለሰተ መራሕቲ እዚኣቶም ድፍኢቱ ክትግምቶን ጠንቂታቱ ክትፈልጦን ዘሸግር ዓሚቑ ፍልልያት ነይሩ ኢዩ። ዋላ’ኳ ኣብ ካይሮ ነዊሕ እንተ ተቐመጡ ንረብሓ ጉዳይ ኤርትራ ብሓባር ን’ኽይሰርሑ እቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፍልልያት  ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኑ ኢዩ። እቲ ዘገርም ከኣ ፍልልያቶም ንምቁጽጻርን ኣብቲ ንሰለስቲኦም ዘሻቕል ዝነበረ ጉዳዮም ብሓባር ንምስራሕ ዘኽእሎም ሓሳባት ንምስማርን ክጥቀስ ዝከኣል ጻዕረታት ኣየካየዱን። ምናልባት’ውን እቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ምርሕሓቕን ቅርሕንትን እዩ ዝ’ኸውን ዝክእል ነቲ ንምዕራቆም ብወገን ተማሃሮ ዝተ’ኻየደ ብርክት ዝበለ ፈተነታት ዘፋሸለ።

## 2. ምትእ’ኽ’ኻብ ወተሃደራት ኣብ ሱዳን

ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ፡ ኣብ መንጎ’ቲ ብክልተ ኣባላት መሪሕነት ጣህር ኢብራሂም ፈዳብን ሙሓመድ ዓብደላ ዑስማንን ዝተወከለ ም.ሓ.ኤን ወተሃደራት ኣብ ሱዳንን ኣብ ከሰላ መጋቢት 1961 ዝተ’ኻተደ **“ሰለስተ ነዋሕቲ ኣኸባታት”** ፍልልያት ከም ዘጋጠመ ርኢና። እቲ ኣኸባታት ሰለስተ ከምዝነበረ’ውን ጣህር ፈዳብን ሙሓመድ ሰዓድ ኣደምን ዝተሰማምዕሉ ጉዳይ ምዃኑ ተዓዚብና። እቲ ኣኸባታት ዝተ’ኻየደሉ ዕለት ብዝምልከት ጣህር ፈዳብ ጥቕምቲ 1960 ክብል ከሎ ሙሓመድ ሰዓድ ኣደምን ዑመር ዳመርን ዘቕረብዎ ዕለት መጋቢት 1960 ከም ዝደገፍና ዝዝከር ኢዩ።

ሕጂ ዝቐርብ ሕቶ እምበኣር፡ ድሕሪ’ዚ ከ ኤርትራውያን ወተሃደራት እንታይ ገይሮም? ዝብል ኢዩ።

ሙሓመድ ሰዓድ ኣብቲ ዝጻሓፎ ተዘክሮታት **“ኣብ መንጎ መሪሕነት ቃልሲ ኤርትራን** (መራሕነት ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ማለቱ’ዩ) **መሪሕነት ም.ሓ.ኤን ኣብ መጋቢት** 1961 **ዝተ’ኻየደ ዘተታት ምስ ፈሸለን ም.ሓ.ኤ. ኣንጻር ባእታታት ተ.ሓ.ኤን ፖለቲካውያን መራሕቲ ኣብ ወጻኢን ጸርፍታት ዝመልኦ ብዘይቅድመ ሓበሬታ ኣዋጃት ምስ ዘርግሐን ምስዚ ንነብሱ ውድብ ም.ሓ.ኤ ዝሰመየ መደናገሪ ጉጅለ ዘተ ምክያድ ከም ዘይካኣል ተረጋጊጹ።”** ይብል። ምናልባትን ኣንባቢ ኣብዚ ሕጥቦ ጽሑፍ’ዚ ሰፊሩ ዘሎ “መደናገሪ ጉጅለ” “ንነብሱ ዝሰመየ” ዝብል ናይ ቁጥዐ ሓረጋት ደስ ኣይብሉን ይከውን። ምናልባት’ውን ሙሓመድ ስዓድ ንከውንነት ኣብ ምትንታንን ነቲ ፍጻመ ዝገልጽ ቃላት ኣብ ምምራጽን ኣጋኒኑ ክ’ኸውን ይኽእል ኢዩ። ንዓና ዘገድሰና ግን

እቲ ምብታኽ ከም ዘጋጠመን ዝስዓበ ምዕባለታት እውን ነቲ ምብታኽ ከምዘረጋገጸን ኢዩ።

ሙሓመድ ስዓድ ኣብቲ ዝጸሓፎ ተዘክሮታቱ፡ **"ድሕሪ ኣዋጃት ሓረካ ምዝርግሑ ብቐጥታ መሪሕነት ኣኽባ ብምኽያድ ናይ ኩሎም ኣባላት ኣብ ከተማታት ኤርትራን ጨንፈራቱ ኣብ ከተማታት ሱዳንን ህጹጽ ኣኽባ ክካይድ ወሲኑ። እዚ ኣኽባ'ዚ ከኣ ኣብ ሚያዝያ 1961 ኣብ ከሰላ ተካይዱ። ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ክእውጅ ድማ ወሲኑ።"** ይብል። ካልእ ኣብዚ ክትጠቅሶ ኣድላይነት ዘይብሉ ዝርዝራዊ ውሰኔታት እውን ኣቕሪቡ ኣሎ።

እዚ ድማ ወተሃደራት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ኣብቲ ሓድሽ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሚያዝያ 1961 ከም ዝተጸንበሩን ካብቲ ቅድሚ'ዚ ዕለት'ዚ ዝነበሮም ዝኾነ ይኹን ዓይነት ተማእዛዝነት ወይ ርክብ ምስ ም.ሓ.ኤ. ናጻ ከምዝኾኑን ኢዩ ዝሕብር።

ኣደም ሙሓመድ ሓምድ (ግንድፍል) ብወገኑ እቲ ኣኽባ ኣብ ሚያዝያ ከምዝተቓንዐ ምስ ሙሓመድ ስዓድ ተሰማሚዑ፡ ነቲ ድሕሪ ኣኽባ ዝወሰድዎ ስጉምቲታት ዘርዚሩ። ኣብቲ 13 ካብኣቶም ዝተሰተፍዎ ኣኽባ ናብ ውሽጢ ኤርትራ ልኡኻት ብምስዳድ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝርከቡ መራሕቲ ሓረካ ብምርካብ ናብ መሰርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንምጽንባርም ክጽዕሩ ከም ዝወሰኑ ይገልጽ። እቶም ዝተመዘዙ ልኡኻት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ነይሮም፦

- ጣህር ሳልም ናብ ኣስመራ ንኣደም መለኪን ንምርካብ፡
- ዑመር እዛዝ ናብ ከረን ንኣደም ግዱፍን ሙሓመድ ዑመር ያሕያን ንምርካብ፡
- ባቢክር ሙሓመድ እድሪስ ናብ ኣቑርደት ንዑመር ከሸዋይ ንምርካብ፡
- ኣደም ግንድፍል ናብ ተሰነይ ንሙሳ ሙሓመድ ሃሽም ንምርካብ፡

**"ናህና ፖሮፖጋናዳ ሓረካ ኮሚኒስት ኢያ ኣብ ዝብል ዘተኮረ ሰለዝነበረ፡ ህዝቢ ንናይ ተ.ሓ.ኤ. ስነ ሓሳብ ብቀሊሉ ይቕበሎ ነይሩ። ዝተዋህበና ዕማም ንምፍጻም ኣብቲ ካልእ ቦታታት ካብ ክልተ ሰሙን ዝሓልፍ ግዜ ኣይወሰደልናን። ኣብ ከረን ግን፡ ነዊሕ ግዜ ሓቲቱ። ምኽንያቱ ናይ ከረን ሓረካ ምስ ፖርት ሱዳን ተሪር ምትእስሳር ሰለዝነበሮም። ኣብ መጨረሽታ ግን እቶም ኣባላት ተፈናጪሎም። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ሓረካ ሳልሕ እያይ ይመርሑም ነይሩ።"**[10] ሳልሕ እያይ ሓደ ካብ መሰረቲ ም.ሓ.ኤን ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነቱን ኢዩ።

## 3. ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምጅማር ኣገባባት ምንዳይ

መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ካይሮ ብዛዕባ ምዝርጋሕ መትከላት ጃብሃ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያንን ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲን ብዝምክት እዚ ዝስዕብ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

- ኣብ ምቛምን ምምስራትን ተ.ሓ.ኤ. ዝተሳተፈ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽም ንጥፈታት ውድብ ኣብ ውሽጢ ንምምራሕ ናብ ኤርትራ ምልኣኽ።[11] ጣሃ ሙሓመድ ኑር ድማ ንጉዳይ ኤርትራ ንምቕላሕን ንምብራህን ንኢጣልያ ክላኣኽ።[12]

---

[10] ብ7/1/1988 ኣብ ከሰላ ጉንተር ዘካየደሉ ቃለ መጠይቕ፡ እንተ ኣደም ግንድፍል ኣብ 1935 ኣብ ጥቓ ኣቑርደት ኣብ እትርከብ ዓዲ ተወሊዱ። ኣብ 1953 ኣብ ሰራዊት ሱዳን ተዓስኪሩ። ካብቶም ኣብ ሰውራ ዝተሰለፉ ቀዳሞትን ንሓምድ ዓዋተ ዝረከቡን ኢዩ። ንስርሒት ኣቑርደት ኣብ ሓምለ 1962 ካብ ዝፈጸሙ ኢዩ። ኣብ 1963 ነቲ ውሩይ ስርሒት ሃይኮታ ዝመረሓ እዩ። (Ibid)

[11] ኣብ 20/11/1969 ኣቦ መንበር ላዕላዋይ ባይቶን ሰለስተ ኣባላትን ዘውጽእዎ ኣዋጅ።

[12] ኣብ 20/11/1969 ኣቦ መንበር ላዕላዋይ ባይቶን ሰለስተ ኣባላትን ዘውጽእዎ ኣዋጅ።

- ምስቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ንጉዳይ ኤርትራ ንምብራህ ኣብ ሶማል፡ የመንን ንግስነት ስዑዲ ዓረብን ዝነጥፍ ዝነበረ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምርኻብን ምቛም ተ.ሓ.ኤን ዕላማታታን ኣገባባታን ምሕባሩን። ነዚ ንምፍጻም ከኣ ኣቦ መንበር ውድብ ተመዚዙ።[13]
- ብመሰረት ኣብ መሰራቲ ኣኸባታት ኣቦ መንበር ውድብ ዘቐርቦ ሓሳብ ምስ ሓምድ ዓዋተ ምርኻብ።

ኣብዚ ኣተኩሮና ዝስሓብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኽመርሕ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ምርቁሑ ኢዩ። ሰለዚ ምንጪ ናይዚ ሓሳብ'ዚ ወይ ርእይቶ እንታይ ኢዩ? ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም "ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ከለኹ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ መጺኡ ተመያይጡኒ። ነገራት ኣብ ኤርትራ እናኸፍኣ ይኸይድ ኣሎ ምስ በለኒ ከኣ፡ ኣይትትሃወኽ፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ሰላማዊ ፍታሕ ክንረኽበሉ ኣሎና ኢለዮ። ኣብ ሰነ 1956 ፓርላማ ገዲፈዮ። ኣብ ኣቑርደት ድማ ሓምድ መጺኡኒ ነዚ ኩሉ ጉዳያት ተመያይጥናሎ። ውሑዳት ሰባት ሒዝኻ ንበረኻ ኣይትውጻእ። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ኣብ መጀመርታኡ ክብርዕን ስለዝኽእል ድማ ኢለዩ።" ይብል። ኣስዒቡ እድሪስ "ኣብዚ ዘተ'ዚ ሼክ ሙሓመድ ኣልሓሰን ከላይ ምስና ነይሩ።" ድማ ኢሉ።[14]

ኣደም ግንድፍል ብወገኑ ካብዚ ዝተፈልየ ግን ከኣ ንዓና ኣብ ዘገድሰና ነጥቢ ዝራኸብ ሓበሬታ የቕርብ። ግንድፍል ኣብቲ ውሱን ዕለት ዘይብሉ ኣብ ሰማንያታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን "ካብ ክውንነት ቃልሲ ... ዝረኣኹዎን ዝሰማዕኩዎን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘውጽኦ መጽሓፍ፡ "ኣብ ኣቑርደት ሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም ካብ ኣቦ መንበርነት ፓርላማ ሰለዝተኣልየ ተለግራማት ክልእኩ ንቀቢላታት ክላዓዕል ከሎ ሓምድ ዓዋተ ረኺቡዎ። ሓንቲ ዝዝክራ ሓምድ ዝሓበረኒ፡ ሓምድ ኣብ ገዛ ሼኽ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምስ መጸ ሰባት ተኣኪቦም ከምዝረኸበን ሼኽ እድሪስ ድማ ናብ ፓርላማ ንኽምለስ ነቶም ህዝቢ ተለግራማት ኽልኣኹ ይሓቶም ከምዝነበረን ገሊጹለይ። ሓምድ ንክሳዱ እናመልከተ ናጽነት ትሓትት እንተድኣ ሃሊኻ ናይ ግድን ካብዚ ክትቀብጽ ኣሎካ ከም ዝብሎ ሓበሩኒ።" ይብል።

* * *

ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሚያዝያ 1961 ምስ ም.ሓ.ኤ. ምስ ተባተኹ እንታይ ገይሮም? ኤርትራውያን ወተሃደራት ካብ ዝምድናኦም ምስቲ ብርእይቶኦም ዘይብሩህ ዝነበረ ም.ሓ.ኤ. ናጻ ምስ ኮኑ ምናልባት'ውን ሕልናኦም ናጻ ምስገበሩ ግዜ ኣይጥፍኡን። ብዛዕባ ምጀመር ዕጥቃዊ ቃልሲ ንሳቶምን ፍሉጣት ሲቪል ውልቀሰባትን ብዕቱብ ክሓሰቡ ጀሚሩሮም። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ መጽናዕትታት ንምግባር ኣብ ዘካየድዎ ተኻታታሊ ኣኸባታት ንኩሉ ኣብ ኣእምሮኦም ዝመጾም ዝነበረ ሓሳባትን ምርጫታትን ድሕሪ ምምርማር መራሒ ናይቲ ተበግሶ ሓምድ ዓዋተ ክኸውን ተስማሚዖም። ብመገዲ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ንኽራኽብዎ ድማ ወሲኑ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ኣቡጥያራ "ሓምድ ቅድሚ ምውጽኡ፡ ገለ ሰባት ካባና ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ኣብ ጥቓ ተማራት ዓሺር ኣብ ዝተባህለ ቦታ ንኽረኽብዎ ከይዶም። ካብ መንጎ'ቶም ዝተላእኩ ሽዱሽተ ሰባት፡ ኣደም ኣኑር ቲታ፡ ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም፡ ሙሓመድ ኣደም ገሲርን ግንድፍልን ነይሮም።" ይብል።

[13] ጣሃ ሙሓመድ ኑር ቃለ መጠይቕ
[14] ቃል መጠይቕ ምስ ጉንተር ካርቱም 15/3/1989

ሙሓመድ ኣደም ገሲር ብወገኑ፡ እቶም ዝኸዱ ቁጽሮም ሸሞንተ ከም ዝነበረ ብምሕባር፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣቡጥያራ ዝጠቕሶም፡ ኣልኣሚን ሓሰበላህ፡ ኣልኣሚን ከራር፡ ጃዕፈር ኣጣህርን ኣቦ መንበር ናይቲ ልኡኽ ነይሩ ዝብሎ ጣህር ሳልምን ወሲኹ። ጣህር ስልም ናይ ዕረፍቲ ግዚኡ ውሱን ስለዝነበረ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ድማ ካብ ንቁጣ ፖሊስ ተማራት ንምርሓቅ ካብቲ ናይ መቛጻሪ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ግዒዙ ምስጸንሐ ካብ ሓፈራ ከም ዝተመልሰ ከኣ ይሕብር። ኣብዛ ነጥቢ እዚኣ ከኣ ዑመር ዳመር ምስኡ ይስማማዕ ኢዩ።

ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ኸመይ ክረክብዎ ከም ዝክእሉ ምስ ተመያየጡ፡ ሓደ ካብቶም ዝነበሩ ወዲ ኣቑርደት ዝኾነ ሙሓመድ የሱፍ **"መምህር ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ምስኡ ጽቡቅ ዝምድና ስለዘለዎ ብመገዱ ምርካቡ ይካኣል ኢዩ።"** ክብል ከም ዝገለጸሎም ኣደም ገሲር ይሕብር፡ እንተኾነ ግን ንተሓጋጋዚ(ኻሊፋ) ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ሼኽ ባቢክር ሙሓመድ እድሪስ ሰለዝርኸቡ ምስኡ ንምርካብ ኣብ "ዓሺር" ቆጸራ ገበረሎም።

ዑመር ዳመር ብወገኑ፡ ንዕለት ናይዚ ኣገዳሲ ርክብ'ዚ ኣብ ምውሳን ይሕግዘና'ዩ። ንሱ እቲ ርክብ ኣብ ከባቢ ሓምለ 1961 ኣብ "**ፋላሳብ**" ዝባሃል ጥቓ "ዓሺር" ዝርከብ ቦታ ከምዝተካየደ ይሕብር።

ዝርዝር ናይቲ ርክብ ከኣ ከመይ ነይሩ፡ ብቃላት ኣደም ገሲር፦

**"ኣብ ቦታ ርክብ ክልተ ካብ ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ነይሮም። ሓደ ካብኦም ስሌማን ባቢከር ይብሃል። ንሶም ሓበሬታ ምንቅስቓስና ምስ ፈለጡ እዮም ኣብቲ ቦታ ዝመጹ። እንተኾነ ግን ዝኾነ ሰብ ክሕወሰና ከምዘይንደሊ ንኸሊፋ ናይ ሼኽ ሓቢሩናዮ። ኸሊፋ ድማ ብወገኑ ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ሓቢርዎ። ሙሓመድ ሼክ ዳውድ ምስ መጸ ከኣ፡ ንሓደ ብየማናይ ነቲ ካልኣይ ከኣ ብጸጋማይ ኢዱ ሒዙ ክሳብ ምሳና ርክቡ ዝፍጽም ኣብ ደገ ክጽበይዎ ሓበሮም። ቅድሚ ነባና ምምጽኡ ኣብ መንጎና ፍልልያት ኣጋጢሙ ነይሩ። ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም ቅድሚ ምምሓሉ ጉዳይና ክንገልጸሉ የብልናን ክብል ከሎ፡ እቶም ዝተረፍና ድማ ኣብ ግዜ ነቢዩ ሙሓመድ ቃል ምእታውን ደገፍን እምበር ኣብ ቁርኣን ምምሓል ኣይነበረን ብዝብል ተቓዊምናዮ። መጺኡ ኣብ ቅድሜና ኮፍ ኢሉ። ብድሕሪኡ ቁርሲ ክምጽኡ ኣዚዙ፡ ቅልዋ ስጋ ኢዩ ነይሩ። ባዕሉ ኣብቲ ስጋ ጨው ነስኒሱ በሊዕና። ድሕሪ ምምጋብና ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ፡ ሕጂ ማይን ጻባን ኮይና ሰለዘሎና፡ ኣብ እንሓድሓድና ንሓብኦ ጉዳይ የለን ኢሉና። እንተኾነ ግን ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ። 'ሰለምንታይ ነዞም ክልተ ሰባት ኣብዚ ርክብ'ዚ ዘየሳተፍኩምዎም'።" ክብል ሓተተና።**

ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም ክምልሰሉ ከም ዝተመዘዘን ኣብ መንጎ ሙሳን ሙሓመድ ሼኽን ዝተኻየደ ሕቶን መልስን ከምዚ ዝስዕብ ከም ዝነበረን ከኣ ኣደም ገሲር ይሕብር።

**"ሙሳ - እዚኣቶም ኮሚኒስታውያን ኢዮም፡**

**ሼኽ - ኮሚኒስታውያን እንታይ ማለት ኢዩ?**

**ሙሳ - ኮሚኒስታውያን ብኣምላኽ ዘይኣምኑ ሃይማኖት ዘይብሎም ማለት ኢዩ፡**

**ሼኽ - ሰላምንታይ?**

**ሙሳ - እዚኣቶም መሸይኻትን መስጊድን ንምጥፋእ ዝተዳለው ተባራዕቲ ፋንጂ ታት ኢዮም።**

**ሼኽ - ኣዑዙ ቢላህ! ኮሚኒስታውያን ዝበሃሉ ከምዚ ድዮም፡**

**ሙሳ - እወ"**

ብድሕሪ'ዚ ኸሊፋ ባቢከር ጳዊዑ ስንቂ ትኾኖም ጤል ከሓርደሎም እሞ ንኽኸዱ ከፋንዎም ኣዘዘ። ነዚ ዝርዝራት'ዚ ክንቐርብ ዝመረጽናሉ ምኽንያት እቲ ፍጻሜታት ሰራሕቱን ተሳተፍትኡን ከም ዝገለጽዎ ከመይ ከም ዝነበረን ኣብ ምንታይ ኩነታት ከም ዝተፈጸመን ንኣንባብቲ ንምብራህ ኢዩ። ገለ ኣገዳስነት እውን ኣይሳኣንን ይኸውን።

እቲ ልኡክ ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤን ዕላማታታን ገለጸሉ፣ ንሕቶታቱን መለስሉን። ካብቲ ዘቕረበሎም ሕቶታት መን ምሳኹም ኣሎ? ህዝቢ ምሳኹም ድዩ? እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምሳኹም ድዩ? ድሕሪኡ **"ህዝቢ ኣሎኩም.. ብረት'ውን ኣልኩም.. ኩሉ ጸጋታት ኣለኩም"** ኢሉ። እዚ ድሕሪ ምባል ከኣ ከይዱ ብረት ሓሙሽተ ዝልጓሙ (ኣብ ኻምሳ) ኣምጺኡ ምስኹምዶ ክኸይድ ሕጂ ዋላስ ነዛ ብረት ትቕበሉኒ? በሎም።

***"ብሓቂ በቲ ሼኽ ሙሓመድ ዳውድ ዝወሰዶ ስጉምቲ ተገሪምና። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት መርገጺ ካብ ሓደ ሼኽ ንጽበዮ ስለዘይነበርና። ነታ ብረት ወሲድና ድሓር ግን መሊስናሉ።"*** ይብል ኣደም ገሲር። ቀጺሉ ኸኣ፡ ***"ገንዘብ ብዝምልከት ክልተ በትሪ ኣግማል ኣሎዋኒ። (ሓደ በትሪ 100 ይኸና) ኽትሸጥወን ትኽእሉ ኢኹም። እንተ ድኣ ሰሪቅኩምወን ከይትባሃሉ ትፈርሑ ኮይንኩም ድማ፣ ናብ ወደልኣዝረግ ከሰላ ክልእኸን እኽእል እየ።[15] ንሱ ብመገዲ 40 ናብ ምስሪ ንኽሸየጣ ክልእኸን ይኽእል ኢዩ።[16] በቲ ዋጋኣን ድማ ካብ ገጠራት ምስሪ ብረት ትገዝኡ። ናብ ብዙሕ ንኽትበጽሑ ከኣ ብውሕድ ትጅምሩ፣"*** ከምዝበሎዎ ገሲር ይሕብር። ***"በቲ እቲ ሼኽ ዝበሎ ኣብ መንጎ ምእማንን ምክሓዱን ተቀርቂርና። በቲ ዝበሎ ብፍላይ ከኣ እቲ ጉዳይ ብዘይካ ብብረት ብኻልእ ክፍታሕ ከምዘይክእል ምእማኑ ኣገሪምና።"*** ክብል ኣደም ገሲር ይገልጽ።

ኣብዚ ርክብ'ዚ ድሕሪ 30 መዓልታት ኣብ "ባክራብ" ዝተባህለ ጥቓ ኬሩ ዝርከብ ቦታ ንኽራከቡ ተሰማምዑ። እቲ ልኡኽ ድማ ምስ መሪሕነቱ ብዛዕባ'ቲ ዝበጽሕዎ ንኽመያየጥ ተመልሰ።

ኣደም ገሲር፡ መራሕነቶም ከም ዝሓበሩ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ ሓላፊ ናይቶም ኤርትራውያን ወተሃደራት ጣህር ሳልም ነቲ ዝተረኸበ ቀዳማይ ውጽኢት ኣመና ከም ዝተሓጎሰሉ፣ መሪሕነት ድማ ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ኣብቲ ዝተወሰነ ቆጸራ ንምርካብ ንሙሓመድ ኣደም ገሲርን ኣደም ኣኑር ቲታን ከም ዝመዘዘን ይገልጽ።

ኣብቲ ካልኣይ ርክብ፣ እቲ ልኡኽ መሪሕነት ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ ወሲኑ ከምዘሎ ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ምስ ሓበረ፣ ነቲ ተበግሶ ንኸመርሕ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ከምዝመረጹ ንሼኽ ገለጽሉ። ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ድማ ብወገኑ፡ **"ሓምድ ምድፋእ ዝደሊ ሰብ ኣይኮነን፣"** ምስ በለ ቀጺሉ **"ሓምድ ምስኡ ኣሰብኡት የድልይዎ፣ ንስኻትኩም ምስኡ ካብ ሃሎኹም፣ ንሱ ድልው ኢዩ። ብወገን ሰበ ስልጣን ድማ ኣብ ትሕቲ ምክትታል ኢዩ ዘሎ። ብፍላይ ከኣ ብወገን ዓብደልቃድር ሙሓመድ ዓሊ። እንተኾነ ግን ሓምድ ዝወጸሉ ግዜ ኣይወሰነን ኣሎ። ብዛዕባኡ ክሕተት እውን ኣይደልን ኢዩ።"** ክብል ሓበረና።

* * *

[15] ወደልኣዝረግ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ከሰላ ፋሉጥ ነጋዳይ ኣግማል ዝነበረ'ዩ።
[16] ካብ ምዕራብ ሱዳን ንግብጺ ዝተዘርግሓ መገዲ፣

ኣብዚ ዝለዓል ክልተ ሕቶታት ኣሎ። ቀዳማይ፡ ቀዳሞት ኣባላት ም.ሓ.ኤ. መልክዕ ናይ ውድብ ንምጽያቅን ኣባላቱ ካብኡ ከምዝርሕቑ ንምግባርን ንመሪሕነት ሓረካ ዘካፍእሉ ዝነበሩ ጉዳይ ማሕበርነት (ኮሚንዝም) እንታይ ኢዩ? ካልኣይ እዚ ስሙ ዝደጋገም ዘሎ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድከ መን'ዩ?

ቀዳማይ ሕቶ ብዝምልከት፡ እቲ "ክሲ" ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን ክንብል ንኽእል ኢና፡ መስራቲ ም.ሓ.ኤ. ኣባል ማሕበርነታዊ ሰልፊ ሱዳን ነይሩ ኢዩ። በዚ መሰረት ከኣ ም.ሓ.ኤ ምስ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ሱዳን ርክብ ነይሩዎ። ነዚ ቅጽል'ዚ ምጥቓሞም ከኣ ቐዳሞት ኣባላት ሓረካ ሓቅነት ናይቲ ጉዳይ በጺሐምዎ ማለት ኢዩ። ብርእይቶና እቲ ልዕሊ ኩሉ ኣገዳሲ ግን፡ እዚ ኩሉ መሪሕነት ሓረካ ብሰንኪ መንነቱ ዘይምግላጽን ንሕቶታት ኣባላቱ ብግልጺ ዘይምምላሱን ኣብ ቅድሚ ኣባላቱ ዘይብርህ ምኾኑን ዘምጽኦ ጠንቂ ኢዩ። መሪሕነት ሓረካ "**ኣብ መንጎና መራሕን ተመራሕን የለን። ኩላትና ብሓባር እንቃለስ ሓደ ጉጅለ ኢና።**"[17] ምባሉ ከኣ ነቲ ንኣባላቱ ዘሸግር ዝነበረ ዘይንጽረነቱ መሊሱ ዘጋድድ ኢዩ ነይሩ። ሰባት ንሓደ ነገር ምስ ዘይፈልጥዎ ከኣ በብቲ ዝመሰሎም ኢዮም ዝገልጽዎን መልክዕ ዝህብዎን። እዚ ከኣ ናይ ወዲ ሰብ ባህሪ ኢዩ። ሰለዚ ድማ ከምቲ ናውድ ዝበሎ ንመሪሕነት ሓረካ ከም መናፍስቲ ምርኣዮም ዘገርም ኣይኮነን። ዝኾነ ኮይኑ ኣባላት ሓረካ፡ ብፍላይ ኣብ ሱዳን ኣብ መንጎኦምን ኣብ ሞንጎ መሪሕነቶምን መሪር ፍልልያት ድሕሪ ምኽሳቱን ናይ ቃል ኵናት ድሕሪ ምብራውን ኢዮም ነዚ ፖሊስ'ዚ ዝተኸተሉ። ነፍሲ ወከፍ ወገን ከኣ ተዓዊቱ ምእንቲ ክወጽእ ነቲ ጉዳይ ኣብ ምርስሳን ኣበርኺቶ ካብ ምግባር ድሕር ኣይበለን።

እንተ ካልኣይ ሕቶ ብዝምልክት፡ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ወዲ ወዱ ነቲ ኣብ ባርካን ጋሽን ፍሉጥ ናይ ሃይማኖት መራሒ ዝነበረ ሰይድና ሙስጠፉ ኢዩ። ሰይድና ሙስጠፉ ዝመሰረታ ዓዲ ድማ ኣብ ሰሜን ኣቑርደት እትርከብ ብስሙ እትፍለጥ ዓዲ ኢያ። ንትምህርትን ምብጻሕን ከኣ መላእ ህዝቢ እቲ ከባቢ ዝበጽሓ ዓዲ ኢያ።

ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ኣብ ኣስታት 1925 ተወሊዱ። ከም ኩሎም ካልኦት ደቂ ስድራቤቱ ድማ፡ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብቲ ቦታ ቅድሚ ምእታው ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ተማሂሩ። ኣቦኡ ድሕሪ ምሕጃጅ ካብ መካ እናተመልሰ እንከሎ ኣብ 1931 ኣብ ምጽዋዕ ሰለዝሞተ ከኣ ከም ዘኽታም ኣብ ትሕቲ ሓወቦታቱ ኢዩ ዓብዩ። ሼኽ ሙሓመድ ካብ ንእስነቱ ጃሚሩ ኣብቲ ከባቢ ብረት ናይ ምዕጠቕን ምንቕስቓስን ዝምባለ ነይሩዎ። ሓደ ሓደ ግዜ እውን ኣብ ጋሽ ከባቢ ምስ ጓሶት ከብቱ ይንቀሳቐስ ነይሩ። ንሼኽ ሙሓመድ ብፍላይ ዝተንከፎ፡ ጥሪቱ ካብ ትግራይ ብዝመጹ ሽፋቱ ናይ ዝምታ ሓደጋ ምስ ኣጋጠመን ምስቶም ዓጢቆም ዝነበሩ ጉጅለኡ ኣብ ጋሽ "ባእያይ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ምስኣታቶም ኵናት ምክያዱ'ዩ ዝብሃል። እቶም ሽፋቱ ዋላ'ኳ ነተን ከብቲ ኣብ ምዝማት እንተዘይተዓወቱ፡ ሼኽ ሙሓመድ ግን ኣብ እግሩ ተወጊኡ። ሰለስተ ካብ ጓሶቱ ከሞቱ ከለው ካልኦት ሰለስተ ከኣ ቆሲሎም። እዚ ኣብ 1948 ዓ.ም ነይሩ። ሼኽ ሙሓመድ ጸኒሑ ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ጽልኢ ከሕደር ዝጀመረ ከኣ ካብታ ፍጻመ እቲኣ ዝተበገሰ'ዩ ይበሃል።

ኣደም ግንድፍል ብ7/1/1988 ምስ ጉንተር ኣብ ዝገበሮ ቓለ መጠይቕ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንቋንቋ ዓረብኛ ምስራዞም ሓደ ካብቲ ሼኽ ሙሓመድ ንሰበስልጣን ኢትዮጵያ ንኽጻባእ ዝደረኾ ረቛሒታት ኢዩ ይብል።

---

[17] ሙሓመድ ስዒድ ናውድ፡ ም.ሓ.ኤ. ሓቃን ተሪኽን ገጽ 389

ዝኾነ ኮይኑ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ኣብ ልዕሊ ሰበስልጠን ኢትዮጵያ ዘለዎ ጽልኣት ይገልጽን ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ኣብ 1961 ኣብቲ ከባቢታት ኣብ ዘካየዶ ሰፊሕ ዑደት ንህዝቢ ኣንጻር ኢትዮጵያ የለዓዕልና ነይሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ ተሰነይ መርሚሮምዎ። ንገለ ዝተወሰነ እዋን ድማ ክሳብ'ታ ኣፍቂዶምሉ ኣብታ ብስም ሓወቦኡ ዝተሰምየት ዓዲ **"ዓዲ ሼኽ ኣልኣሚን"** ከይዱ ዝቕመጥ ካብ ገዝኡ ኣብ ኣቑርደት ከም ዘይወጽእ ገይሮም። ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ ከኣ ነቲ ዝጠቐስናዮ ንጥፈታቱ የካይድ ነይሩ። እቲ ዝደልዩ ዝነበረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተጀመረ እውን ኩለን ዝውንነን ዝነበረ ጥሪት ንሰውራ ብምብርካት፡ ክሳብ ናብ ደረጃ ድኽነት ተገማጊሙ።

ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ብእከይ ተግባራት ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ተገዲዱ ምስ ተሰደ ኣብ 1967 ኣብ ሱዳን ከተማ ከሰላ ሞይቱ።[18]

---

[18] ነዚ ብዛዕባ ታሪኽ ሂወት ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ዝገልጽ ሓበሬታ ካብ ደቂ ሓወባታቱ ረኺብናዮ፡ ዕለታት ኣብ ምንጻር ከኣ ሓደ ፈታዊ ሼኽ ሙሓመድ ዳውድ ዝነበረ ዓብደርሕማን ዑስማን (ሹባክ) ሓጊዙዎም።

# ምዕራፍ 3

# ክልተ ወሰንቲ ዓወታት ኣብ ሓደ ዓመት

## 1. ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን

"ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ስማልን፡ ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ነበር ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ሪፓብሊክ ሶማል ብምኻድ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ድሕሪ ምርካቡ ኢዩ ኣብ ለካቲት 1961 ተመሰሩቱ። ኣቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምስ ወኪል ናይቲ ማሕበር ኣብ መቓድሾ ዝነበረ ዑስማን ሳልሕ ሳበ በቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻኢን ንዝተሰልበ መሰሎም ንምምላስ ዝቃለሱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ተወኪሎም ኢዮም ናብታ ብሃይማኖት፡ ገርብትናን ሓባራዊ ጸላኢን ምሳና እትትኣሳሰር ሶማል ንጉዳይ ኤርትራ ነገራውን ምራላውን ሓገዝ ካብ መንግስቲ ሶማል ንምርካብ መጺኦም። ከም ውጽኢቱ ከኣ መንግስቲ ሶማል ብመሰረት'ቲ ማሕበራት ናይ ምቛምን ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ንኩሉ ዜጋታት እንከላይ ንናይ ፖለቲካ ሰደተኛታት መሰል ዝህብ ቅዋም ሶማል፡ ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ንኽምስረት ኣፍቂዱ።"[19]

ኣብ መንጎ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን መዓስ? ኣበይ፡ በይነይ መሰረት ኢዩ እቲ ርክባት ዝተካየደ?

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓደ ካብ ንጡፍት ዜጋታት ኣብ ወጻኢ ሰለዝነበረ፡ ብዛዕባ ምምስራት ተ.ሓ.ኤን ንምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ብቕዳምነት ዝስርዐ ዕላማታቱን ንምሕባሩ መስራቲ ኣኽባ ተ.ሓ.ኤ. ንዑስማን ሳልሕ ሳባ ክረኽቡዎ ወሲኑ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም መዚዞ ይብል ጣሃ ሙሓመድ ኑር።[20]

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ርያድ ብዝገበረሉ ዕድመ መሰረት ናብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝገበሮ ካልኣይ ዑደት ንዑስማን ሳልሕ ሳበ[21] ንመጀመርታ ግዜ ከም ዝረኸቦ ይገልጽ። ሽዑ ብሓባር ክስርሑ ከምዝተሰማምዑን ካብኡ ተተሓሒዞም ንሶማል ብምኻድ ማሕበር ምሕዝነት ከም ዘቆመን ድማ ይሕብር።[22] ዋላ'ኳ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ታሪኽ ናይቲ ዑደት እንተዝይጠቐስ፡ ኣብ ጥሪ 1961 ምንባሩ ግን ክንግምት ንኽእል ኢና፡ ምኽንያቱ ንሱን ዑስማንን ካብ ስዑዲ ዓረብ ናብ ሶማል ብምኻድ ብ1 ለካቲት 1961 ነቲ ማሕበር ሰለዝመሰረቱ።

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ መንጎ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ የመንን ሶማልን እናተንቀሳቐሰ እንከሎ ንንጥፈታቱ ዝኸታተል ዝነበረን ንኽረኽቦ መሰራቲ ኣኸባ ተ.ሓ.ኤ. ዝተመዘዘን እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናይ ዑስማን ደገፍን ምጽንባሩን ኣብቲ ሓድሽ ውድብ ኣመና የገድሶ ከም ዝነበረ ክንግምት ንኽእል ኢና። እቲ ርክብ

---

[19] ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንኣብ ሶማል ዝተወከለ ቀዳማይ ጸሓፊ ኢምባሲ ንግስነት የመን ብ28/10/61 ኣብ ዘቕረበሉ መዘክር።

[20] እቲ ቃለ መጠይቕ

[21] ዑስማን ካብ ከተማ ምጽዋዕ ብወገን ደቡብ ኣስታት 10 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ሕርጊጎ ዝተባህለት ዓዲ ብ1933 ተወሊዱ። ካብ ትካል መሰልጠኒ መምሃራን ኣዲስ ኣበባ ተመሪቑ። ኣብታ ብገባሪ ሰናይ ሳልሕ ኪክያ ዝተሰረሓት ቤት ትምህርቲ ሃይለሰላሰ ሕርጊጎ ከም ርእሰ መምህር ኮይኑ ሰርሑ። ካብ ኤርትራ ኣብ 1960 ተሰዲዱ።

[22] ጉንተር ብ15/3/1989 ኣብ ካርቱም ምስኡ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ

ብከምዚ ተፈጺሙ ከኣ፡ ቀዳማይ ፍረ ናይቲ ኣብ መንጎኦም ዝተበጽሓ ስምምዕ፡ ሶማል ብምኻድ ነቲ ማሕበር ምሕዝነት ምምስራት ኢዩ።

ምስዚ ኩሉ ግን፡ ኣብቲ ኣብ መንጎኦም ዝለዋወጥዎ ዝነበሩ መልእኽቲትን ናብ ዝተፈላለዩ ወገናት ዝልኣኽዎ ዝነበሩ መዘከራትን ክሳብ መጨረሽታ 1961 ስም ተ.ሓ.ኤ ኣይተጠቕስን ነይሩ። ኩሉ ብስም ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ኢዩ ዝካየድ ዝነበረ።

ምናልባት ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሶማል ኣብ ክንዲ ብግልጺ ብስም ንናጽነት ኤርትራ ዝጽውዕ ፖለቲካዊ ውድብ ብሽፋን ማሕበር ምስራሕ ዝተመርጸሉ ምኽንያት፡ ንኢምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ምኽንያታት ክህቦን ንውልደ መንግስቲ ሶማል ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢድ ኣእትዩ ብምባል ክኸስስን ስለዝኽእል ክኸውን ይኽእል እዩ።

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ናይ ሪያድ ርክብ ብምቛም ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ምሕንሱን ንኣባልነታ ምቅባሉን ዘረጋግጸልና ከኣ ትሕዝቶ ናይቲ ናብ ኢምባሲ ሩስያ ዝላኣኾ መዘክር ኢዩ። ኣብቲ ብ12/12/1961 ካብ መቓድሾ ናብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ምስቲ ናብ ኢምባሲ ሩሲያ ዝላኣኾ መዘከር ቅዳሕ ናይታ ብተማሃሮ ካይሮ እትወጽእ መጽሄት ስውራን ክልተ ብስም ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሶማል ዘውጽኣን ፖንፍሌታት ከም ዝለኣኸሉ ይሕብር።

ዕላማታት ማሕበር ምሕዝነት **"ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንጉዳይ ኤርትራ ምስራሕ። ብኩሉ ሕጋዊ ኣገባባት ንሓፈሻዊ ርእይቶ ዓለም ንምኽሳብ ምጽዓር። ከምኡውን ማሕበር ንሓፋሻዊ ርእይቶ ኤርትራ ንምሉእ ናጽነቱ ንኸጠለብ ምድላውን ንዝተመንዘዐ መሰሉ ንምምላስ ንቃልሲ ምጉስጓስ ኢዩ።"**[23]

እዚ ዕላማታት'ዚ ምስቲ መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ካይሮን ሱዳንን ዝተኸተልዎ ዕላማታት ዝገራጮ ኣይኮነን። ዕላማ ተማሃሮ ካይሮን መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሱዳንን ብቐዳምነት ከኣ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳን ካብ ሃገራዊ ድፍኢት ዝነቐለ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ብኤርትራዊ ጻዕሪ ንቃልሲ ዝዕድም ምንባሩ ክንርድኦ ንኽእል። እንተኾነ ግን እዚ ዕላማታት'ዚ ነቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንፖለቲካዊ ኣካይዳ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝእዝዝ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ምሉእ ብምሉእ ዝገልጽ ኣይኮነን።

ዑስማን ዋላ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ተጻንቢሩ እንከሎ ኣብ ክሊ'ቲ ማሕበርን ብሰሙን ንበይኑ ኣብ ካልእ መዳያት ካብቲ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ዝወሰነሉ ወጻኢ እኳ ድኣ ምስኡ ኣብ ዝጻረር ብዛዕባ ጉዳይ እስላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይንቀሳቐስ ነይሩ ኢዩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንንብሱ ንቃልሲ ናይቶም ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ዝርከቡ እስላም ዝጽውዕን ብኦኦም ከም ዝተወከለን ገይሩ የቕርባ ነይሩ። ዑስማን በዚ ኣጋባብ እዚ ቅድሚ ምቛም ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን፡ ከምኡ ከኣ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ምጽንባሩን ኣብ ክኸተሎ ዝጸንሖ መገዲ ቀጺሉ ማለት ኢዩ። ኣብቲ ናብ ዓረባውን እስላማውን ኣካላት ዝጽሕፎ ዝነበረ መዘክራት ድማ ብዛዕባ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ናይቶም 10 ሚልዮን ዝበጽሑ እስላም ሓበሻን (ኢትዮጵያ) ከም ዝተኣሳሰረ ሓደ ጉዳይ ገይሩ የቕርቦ ነይሩ። ኣብቲ ናብ ዓረባውን እስላማዊ ኣካላት ኣብ ከም መንግስቲ ሶማል፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ እስላማዊ ጉባኤን ካልእን ዝጽሕፎ ዝነበረ ብርክት ዝበለ መዘክራት ከኣ፡ ከም **"ብስም'ዚ ንባህጊታት ኤርትራውያንን ንኩሎም ምስልምና ኣብ ሓበሻን ዝውክል ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን"** **"ብናይ ሓበሻ**

[23] ካብቲ ኣብዚ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ መዘክር።

መሰቀላውያን ዝሕረዱን ዝግፍዑን ዘለው ናይ ዓሰርተ ሚልዮን እስላም ዝኾነ ፍትሓዊ ጉዳይና" ዝብል ሓረጋት ይደጋገም ነይሩ።

ጉዳይ ኤርትራ ምስ ሽግር ምስልምና ሓበሻ ኣብ ምትእስሳር መርገጺ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም እንታይ ነይሩ?

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ርያድ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ተረኽበ፡ ዑስማን ኩነታት ምስልምና ኤርትራን ሓበሻን ንምምሕያሽ ዝሰርሕ "**ኣልዕርዋ ኣልውስቓ**" (ጽኑዕ ጥመረት) ዝተሰምየ ውድብ ከም ዘለዎን ንምሕጋዙን ንምድጋፉን ክሰርሕ ከምዝሓተቶን ይገልጽ። ቀጺሉ እድሪስ "**ኣነ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ኣይኣቱን እየ። ጉዳይ ኢትዮጵያውያን እስላም ከኣ ንዕኦም ጥራይ ኢዩ ዝምልከት። እስላም ኢትዮጵያ ሽግር ከምዘጋጥሞምን ሕማቕ ኩነታት የሕልፉ ከምዘለውን እፈልጥ እየ። እንተኾነ ግን ነዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ጉዳይ ኤርትራ ከነተኣሳስሮ ኣይንደልን ኢና። ሕቶ ኤርትራ ንዓና ዝምልከት ኣህጉራዊ ሕቶ ኢዩ። እንተ ጉዳይ ኢትዮጵያውያን እስላም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኢዩ። ነዚ ክልተ ጉዳያት'ዚ ምድዋስ ከኣ ኣብ ልዕሊ ጉዳይና ዓቢ ጉድኣት ዝውርድ ኢዩ።**"[24] ክብል ከም ዝገለጸሉ ይሕብር።

ምስዚ ኩሉ ግን ዑስማን ከምቲ ዝተዓዘብናዮ በቲ ንነፍሱ ዝመረጾ መገዲ ኢዩ ተጓዒዙ። ኣብዚ'ውን ኣብ ጉዳዩ ዘወርድ ኣሉታዊ ጽልዎ ግዲ ከይገበረ ኣብ ትሕቲ ሽፋንን ብስምን እቲ ማሕበር ቀጺሉ። እዚ ድማ ሓደ ሓደ ግዜ ንእድሪስ የጨንቆ ነይሩ። ንኣብነት ኣብቲ እድሪስ ብ21/11/1961 ናብቲ ንሕትመት ናብ "**ፍትሒ የከን**" ዝተባህለ ሊባኖሳዊ መጽሓፍ ልኢኹ ዝነበረ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝለኣኾ መልእኽቲ "**ኣንጻርና ብጻላእቲ ከምዝመዝ ዝኸእል ዝኾነ ይኹን ጌጋታት ምእንቲ ከይርከብ ቅድሚ ምርኣይና እቲ መጽሓፍ ከይዝርጋሕ።**" ሓቲቱዎ ነይሩ። እድሪስ ከምዚ ክገብር ዘገደዶ ከኣ፡ ዑስማን ኣብቲ መጽሓፉ ዘእተዎ መግለጺ ዓብደልቃድር ከቢረ (ኣየናይ መግለጺ ግን ንጹር ኣይኮነን) እድሪስ ዘይተስማማዓሉ ናቱ ርእይቶ ስለዝወሰኸሉ ኢዩ። እድሪስ ኣብ መልእኽቱ ነቲ ናይ ዑስማን ርእይቶ ንኽስርዝ ናብ ፈትሒ የከን ከም ዝጻሓፈ ይጠቕስ። እቲ ምኽንያት ከኣ "**ዋላ'ኳ እቲ ሓቂ ንሕና ኣስላም ብምዃና መሰልና ተረጊጹ እንተሎ፡ ናይ ወገኖም ጸግዒ ኮይኖም ተባሂልና ክንክሰስ ኣይንደልን ኢና።**" ይብል። መሰል እስላም ኣብ ኤርትራ ኮነ ኢልካ ከምዝተረግጸ እድሪስ ንባዕሉ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ዑስማን ኣይፈላለን ኢዩ። እንተኾነ ግን ብግልጺ ክትዘረበሉን ኣብቲ ዝጀመርዎ ፖለቲካዊ ስራሕን ዝተበገሰሉ ዕላማታት ሓርነትን ክምዝመዝን ኣይድግፎን ኢዩ።

ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን፡ ብፍላይ ከኣ ምክትል ኣቦ መንበር ዑስማን፡ ነቲ ብምምስራት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዝተኸሰተ ዕላማታት ሓድሽ መድረኽ ብሓቂ የንጸባርቕ ወይ ይገልጽ ኣይነበረን። ሓበራዊ ወይ ስሙር ቃልሲ ኣብ መንጎ እስላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝብል ዘረባ ከኣ ኣብቲ ተ.ሓ.ኤ. ዘልዓለቶ ዕላማታት ሓርነት በታ ኣይነበሮን።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣቐዲሞም ንመስርሕ ፖለቲካዊ ቃልሲን ሓይሉን ኣብ ዝውስን ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘይምስምምዖም ነዚ ዓይነት ተጋራጫዊ መርገጺታት ኣስዒቡ ክከውን ይክእል'ዩ። ይኹን'ምበር ካብዚ ንላዕሊ እቲ ኣብ መንጎ'ቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ንፖለቲካዊ ስራሕ ዝመርሑ ዝነበሩ ክልቲኦም መራሕቲ ዝነበረ ፍልልይ ፖለቲካዊ ድሕሪ ባይታ ኢዩ። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ዝጸንከረን ዝመረረን መድረኻቱ ብፖለቲካዊ ስራሕ ዝተመኩረን ክሳብ

[24] ቃለ መጠይቕ ምስ ጉንተር ሕሉፍ ምንጪ

ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ዝበጽሐን ብተመኩሮታትን ፈተነታት ቀ-ርቀ-ሳትን ዝበልሐን ብምንባሩ ንሃገራዊ መትካላትን ክጥሓስ ዘይብሉ ቀይሕ ምልክታትን ዝርዳእ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ልክዕ'ዩ ንዑስማን ሳልሕ ሳበን ዳይናሚካዊ ብቕዓቱ ኣብ ምግላጽ ሓሳበቱን ስፊሕ ርከባት ኣብ ምፍጣርን ልዑል ግምት ይህቦ ነይሩ ኢዩ። ኣብ ልዕሊኡ ንዝነበሮ ኣድናቆት እውን ይሓብኣሉ ኣይነበረን። ምስዚ ኩሉ ግን ደድሕሪ ገለ መግለጺታቱ ንኸይከይድ ጥንቁቕ ኢዩ ነይሩ። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ደረት ሃገራዊ መግለጺታት ኣይሰግርን'ዩ ዝነበረ። ጉዳይ ኤርትራ ምስ ጉዳይ እስላም ኢትዮጵያ ኣተሓሒዝካ ክግለጽ ፍጹም ዘይድግፎ ኢዩ ነይሩ።

እንተ'ቲ ኣብ ናይ ኣርባዓታትን መጀመርታ ሓምስታትን ውዕውዕ ፖለቲካዊ ቃልስታት ብኣድማዕነት ንኽሳተፍ ዕድመኡ ዘየፍቐደሉ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ብኣካል ምስቶም ሓይልታቱ ሰለዘይተዎስኣ ናይቲ ዝተኻየደ ቁርቁሳት ትርጉም ብጉቡእ ኣስተማቂርዎ ክባሃል ኣይካኣልን'ዩ። ምንጪ ንቐሓቱን ዘማዕበሎ ዕግበታትን ከኣ ካብ ምንባብ ዝተፈላለየ ታሪኽ ዝመንጨወ ኢዩ። ንታሪኽ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ኤርትራ ምንባቡ፡ (ንሱ'ውን ጽቡቕ ኣንባባይን ብታሪኽ ናይዚ ዞባ ዝግደስን ሰለዝኾነ) ምናልባት እቲ ግርጭት ካብ መሰረቱን መበገሲኡን ኣብ መንጎ ክርስትናን ምስልምናን ዝካየድ ግርጭት ኢዩ ናብ ዝብል መረዳእታ ኣብጺሑዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ከምኡውን ናይቲ ሃይማኖታዊ መልክዕ ዝመልአ ኣካያይዳ ዝነበሮ መድረኽ ርእሰ ውሳነ ናይ ኣርባዓታት እዋን ዘካየዶ ፖለቲካዊ ንባብ፡ ነቲ ዝጸንሖ ዕግበት ኣሓይልዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ሃይማኖታዊ ሚዛን ንምርግጋጽ ንእስላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጥርንፍ ኣሰላማዊ ሰራሕ ምክያድ ኣገዳሲ ኮይኑ ተረኢዩዎ ክበሃል ይኽእል'ዩ።

ዑስማን ሳልሕ ሳበ እስላማዊ ዓወታት ብምርግጋጹን ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ኣብ መበል 12ን 13ን ክፍለ ዘመን ኣብ "ኢፋት" "ዘይለዕን" "ሃረርን" ነገስታት እስላም ብምቛሞምን በቲ ንሓበሽ ዝሸፋተ ዝብሎ ኣሕመድ ግራኝን ኣመና ይድነቕን ይሕጎስን ነይሩ። ዑስማን ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ናብ ቀዳማይ ጸሓፊ ኢምባሲ ንግስነት የመን ኣብ ሶማል ኣብ ዝጸሓፎ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መዘከር፡ "**ንገስታት 'ኢፋት' 'ዘይለዕን' 'ሃረርን' ንነብሶምን ሃይማኖቶምን ንምክልኻል ካብ የመን ሓገዝን ደገፍን ይረኽቡ ነይሮም። ብኸፋት ሓበሻ ዝፍለጥ ኣልኢማም ኣሕመድ ብን ኢብራሂም (ግራኝ) ነቲ ፍሉጥ ዓወታቱ ምኽንያት ዝነበረ ካብ የመን ናይ ሰራዊት ረዳት ረኺቡ ኢዩ። ኣብ ሓበሻ ዝርከቡ እስላም ሓርነቶምን ናጽነቶምን ንምርካብ ካብ ኣሕዋቶም እስላም የመን መንግስትን ህዝብን እቲ ናይ ቀድም ክቡር ታሪኻዊ ጅግንነታዊ መርገጺ ክረኽቡ ይጸበዩ ኣለው።**" ይብል።

ኣብቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንጉዳዩ ከም እሰላማዊ ጉዳይ ዝገልጸሉን ንኽሕግዝዎ ንእስላም ዝጽዋዓሉን ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ዓረባዊ ዞባ ድሕሪ ምድኻም ጽልዋ ናይቲ ኤውሮጳውያን ኣብቲ ኣብ ልዕሊኡ ታሪኻዊ ዓወታት ዘረጋግጹሉ ኣብ ዝነበሩ እዋን ከም ሕሙም ሰብኣይ ኤውሮጳ ዝገልጽዎ ዝነበሩ ናይ ቱርኪ ንግስነት ጽልዋታቱ ምስ ተሓጽረ ኣብ ዓረባውን እስላማውን ሃገራት ከም መተካእታ ናይቲ ዝነበረ ኩነታት ምክፍፋል ካልእ ክውንነት ነይሩ። እዚ ኣብ ሻምን ግብጽን ዝማዕበለን ኣብ ግብጺ ብመሪሕነት ጀማል ዓብደልናስር ዝተተግብረን ሰነ ሓሳብ'ዚ ከኣ ዓረባዊ ብሄርንት ዝብል ነይሩ። ስነ ሓሳብ ዓረባዊ ብሄርነት ነቲ እስላማውያን ክንፈታት ሃይማኖታዊ ጉልባብ ንምርካብ ዝጽዕርሉ ዝነበሩ ክውንነት ዓረባዊ ምክፍፋል ዝሰገረ ዘመናውን ዓለማውን ሰነ ሓሳብ ኢዩ ነይሩ።

*ዑስማን ምስቲ ኣብ ግብጺ ሶርያ፡ ሊባኖስ ኣልጀርያን፡ ካልኦት ሃገራት ሰሜናዊ ዞባ ዓረብን ዝኸይድ ዝነበረ ሰነ ሓሳብ ዓረብዊ ብሄርነት ሰለዘይተላለየ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ ናይቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተማሃራይ እንከሎ ዝኣመነሉን ዘማዕበሎን ዕግበቱ ኢዩ እሱር ኮይኑ ቀጺሉ። ኣብቲ ሰውራ ዓረባዊ ብሄርነት የስፋሕፍሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብቲ ድምጺ እስላምስዊ ምንቅስቓሳት ክብ ኣብ ዝብለሉ ከባቢታት ይንቀሳቐስ ምንባሩ በቲ ናይ ቀደም ዕግበታቱ ከምዝቅጽል ገይሩዎ። ክሳብ'ቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝምዕብልን ኣተሓሳስብኡ ምስ ሰፊሐ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝገድፎ፡ እስላምን ምስልምናን ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝብል ቅኒት ኣይገድፎን ነይሩ። እቲ መረገጺታት እቲ ብወገን ዑስማን ንዕላማታት ውልደ ሰውራ ኤርትራ ደዊኑዎን ብኣሉታ ጸልዮዎን ኢዩ።*

*ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ኣብ ሓጺር ግዜ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ምእንቲ ሃገር ዝብህግ ኣብ ስዑዲ ዓረብ፡ የመንን ሶማልን ሰፊሕ መሰረት መንእሰያት ኣብ ጎኑ ወዲቡ ኢዩ። ኣብ ንጥፈታት ናይቲ ማሕበር ብኣድማዕነት ብምስታፍን ነቲ ዘውጽኦ ዝነበረ መጽሄት "ኤርትራ" መሕተሚ ዝኸውን ገንዘብ ብምሕጋዝን ኣብ ሃገራዊ ጉዕዞኡ ደጊፎምዎ ኢዮም። ዑስማን ሳልሕ ሳበ በቲ ፍሉጥ ዳይናሚካዊ ክእለቱን ዓቕሙን ኣመና ሰሓቢ ኮይኑ። ከም ውጽኢቱ እውን ኣብ ልዕሊ'ቶም ነቲ ማሕበር ዝሰዓቡ መንእሰያት ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ኣብ ዓወት ምሉእ እምነት ከሕድረሎም ከም ዝኸኣለ ዘይክሓድ ሓቂ ኢዩ።*

*ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ኣብቲ ዝነጥፈሉ ዝነበረ ሃገራት ንፖለቲካዊ ንጥፈታቱ ኣብ ምምካት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናብ ኣወንታዊ ሰራሕ ንምስግጋሩ ምቹእ ባይታ ከምዝፈጠረ ዝኽሓድ ኣይኮነን። ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ተመስሪቱ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተኣወጀ እዚ ሓቂ እዚ ተረጋጊጹ። እቲ ማሕበር ምስ መሰረታቱ ኣብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ብምእታው ልዑል ቦታ ሒዙ። ኣብ መቓድሾ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ማሕበር ከኣ ቀዳማይ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ኮይኑ።*

በዚ *ድማ ምቛም ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ብዲፕሎማስያዊ መዳይ ንተ.ሓ.ኤ. ቀዳማይ ፖለቲካዊ መኽሰብ ነይሩ። ብህዝባዊ መዳይ እውን ኣብተን ዝነጥፈለን ዝነበረ ሰለስተ ሃገራት ዜጋታት ይውድብ ሰለዝነበረ ንተ.ሓ.ኤ. ኣደልዲላ ንኽትረግጽ ዘኽኣላ ዓቢ ሓገዝ ኣብ ምብርካት ልዑል ተራ ነይሩዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ዝሰፍሐ ናይ ህዝቢ ሓገዝ ንኽትረክብ ሓጊዙዋ ኢዩ።*

## 2. ምእዋጅ ዕጥቃዊ ቃልሲ

*ኣብ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ እቲ ቀንዲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሰለዝነበረ፡ ብዛዕባ'ዚ ተበግሶ'ዚ ንምፍላጥ ዝቐርብ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ንሓምድ ከልዕል ናይ ግድን ኢዩ። እቲ መልስታት ዘድልዩ ሕቶታት ከኣ፡ መን ኢዩ ሓምድ፡ ድሕረ ባይታኡ ከ እንታይ'ዩ? ዝምድናኡ ምስ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ከመይ ነይሩ? ብዘይካ'ቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ካልእ ድፍኢታት ከ ነይሩዶ? ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኽመርሕ መስረቲ ተ.ሓ.ኤ. ንዕኡ መምረጺኦም ከ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ ኢዩ ነይሩ? ኣብቲ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምእዋጅ ውልቃዊ ተራ ናይ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ከ እንታይ ኢዩ?*

## ድሕረ ባይታ

ከም ዝፍለጥ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ[25] ካብ 1934 ክሳብ 1941 ኣብ ሰራዊት ጥልያን ሰሪሑ ኢዩ። ኣንጻር ምምሕዳር እንግሊዝ ኣስታት ትሽዓተ ዓመታት ኣብ በረኻ ኮይኑ ድሕሪ ምውጋእ ብ1951 በቲ ኣብቲ እዋን ካብ ኤርትራ ንምውጻእ ዝቀራረብ ዝነበረ ምምሕዳር እንግሊዝ ብዝተገበረሉ ምሕረት ተመሊሱ ካብ ከተማ ተሰነይ ብወገን ደቡብ ኣብ እትርከብ "ገርሰት" ዝተባህለት ዓዲ ብምቅማጥ ኣብ ውልቃዊ ዋኒኑ ተዋፊሩ። ብመሰረት ዝተገብረ ናይ ምሕረት ስምምዕ ከኣ ሓምድ ሂወቱን ንብረቱን ንምሕላው ካብቲ ምስኡ ዝነበረ ኣርባዕተ ብረት ተፈቒድዎ ነበረ።

ሓምድ ኣንጻር እንግሊዝ ንበረኻ ዝወጸሉ ምኽንያት ሽፋቱ ጥሪት ናይ ሓንቲ ዓዲ ምስ ዘመቱ ንረዳት ናይቲ ዓዲ ምስ ከደ፡ በዚ ዘይተሓጎሰ "ዳውዲንግ" ዝተባህለ እንግሊዛዊ መኮንን ይኣስሮ'ሞ ሓምድ ከኣ ዓሰርተ ዝልጎም 303 ዝመልክቱ ብረት (ኣብዓሽራ) ናይቲ መኮንን መንዚዑ ካብ መእሰርቲ ከም ዘምለጠ ኩሉ'ቲ ብዛዕባኡ ዝቐረብ ዛንታታት ይሕብር።

ሓምድ ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ቀንዲ ኣቃልቦኡ ንጥሪት ናይቲ ከባቢ ካብ ሓደጋታት ሽፋቱ ምሕላው ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከኣ ኣብቲ ኣብ መንጎ ቀቢላታት ናይቲ ከባቢ ዘጋጠመን ንገለ ዓመታት ዝቐጸለን ዥናት ሓድሓድ ተሳቲፉ ኢዩ። ሓምድ ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ሰበ ስልጣን እንግሊዝ ከም ኩሎም ሽፋቱ ኢዮም ዝርእይዎ ነይሮም። ስለዚ ከኣ ንምቅታሉ ብዙሕ'ኳ እንተፈተኑ ከይተዓወቱ ኢዮም ተሪፎም። እተን ሓምድ ንምቅታል ዝምዘዛ ዝነበራ ኣሃዱታት መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሰብ ክሰራታት የጋጥመን ነይሩ።

ኣብ ኑቡር ሂወቱ ምስ ተመለሰ ሓምድ፡ ካብ ዝጉቡዝ ጃሚሩ ርእይዎ ዘይፈልጥ ርጉእ ሂወት ከካይድ ጃሚሩ። ንመነባብሮኡን ንኩነታት ናይቶም ንዕኡ ዝምልከቱ ስድራቤቱን መቕርቡን ከምሓይሽ ዝኽኣለ ዕውት ሕርሻዊ ንጥፈታት ከኣ ኣካየደ። ክቡር ሂወት ንኽነብር ዘኽእሎን ኣብ ኣድላዪ እውን ንጽጉማት ክልግሰሉ ዝኽእል ብርክት ዝበለ ካብትን ኣግማልን ኣጣልን እውን ኣጥርዩ ኢዩ። ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ብ8 መጋቢት 1962 ዓ.ም ናብ ኣመሓዳሪ ውሽጣዊ ጉዳይ ናብ ኣስመራ ዝጻሓፎ መልእኽቲ ከም ዝሕብሮ ከኣ፡ ሓመድ ሰውራ ምስ ኣወጀ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝሃገርወን ጥሪቱ 47 ካብቲ 16 ኣግማል 56 ኣጣል ይኾና ነይረን።

ብዘይካ'ዚ ሓምድ ክብ ዝበለ ማሕበራዊ ቦታ ነይሩዎ። ኣብ ዝኾነ ዝኸዶ ከተማ ይኹን ገጠር ልዑል ኣቐባብላ ይረክብ ነይሩ። ኣብ ከተማታት ናይቲ ከባቢ ከም ኣቑርደት፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ፡ ጎልጅን ኦምሓጀርን ብውልቃዊ ጉዳይ ይኹን ወይ ከኣ ኣብቲ ቡዙሕ ግዜ ዝዕደመሉ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት ንመስታፍ ክመጽእ ከሎ ህዝቢ ንምርኣዩ ይብህግዎ ነይሮም።

ኣብ 1951 ኣብ መንጎ ቢንዓምርን ናራን ብሓደ ወገን ኩናማ ከኣ በቲ ካልእ ኣጠቓላሊ ዕርቂ ምስ ተፈጸመ ኣብ መንጎ ደቂ'ቲ ከባቢ ሰላም ሰፊኑ። ኩሎም ከኣ ኣብ ገዝኦምን ሕርሻኦምን መጓሰኦምን ቅሳነት ረኺቦም። እቲ ኣብ መንጎ ደቂ ሓንቲ ሃገር ዝተኸሰተን ኢትዮጵያን እንግሊዝን ተጻባኢ ፖለቲካዊ ውጥናቶም ኣብ ኤርትራ

---

[25] ኣብ ህግር፡ ሃበረዳ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ኣብ ኣስታት 1915 ተወሊዱ። ኣብ 1934 ኣብ ሰራዊት ኢጣልያ ተዓስኪሩ። ኣብ 1935 ኣብ ወራር ኢጣልያን ንኢትዮጵያ ተስቲፉ። ኣብ ሓንቲ ካብቲ ዝተኻየደ ውግኣት ከኣ ተወጊኡ ነይሩ።

ንምትግባር ኣብ ምጉህሃሩ ዓቢ ተራ ዝተጻወተሉን ጽልኢ ከኣ ሓንሳብ ንሓዋሩን ተፈቲሑ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ግን ንሓመድ ዝሻቅል ካልእ ጉዳይ ነይሩ ድዩ?

**ሓምድ ካብ ስቕታኡ ይወጽእ።**

እዋኑ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝነበሮ ግዜ ኢዩ። ተርእዩ ሽፋቱ ኣብ ዝሰፍሐ ከባቢታት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከበሰታት ገኒኑ ነይሩ። ይኸን ድኣምበር እቲ መልክዕ ኵናት ሓድሓድ ሒዙ ዝነበረ ኵናት ምስ ኣብቕዐ ግን ጋሽን ባርካን ሰላም ዝሰፈኖ ነይሩ። እዚ ሰላም'ዚ ግን ውሽጣዊ ሰላም ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሓምድን ብጾቱን ከም ባዓል ዑስማን ሎንጊ ብሓደ ወገን፡ ኣብ መጨርሽታ ኣርብዓታት ናይ ዕጡቕ ሓይሊ ኩናማ መራሒ ዝነበረ "ከላላ፡ ከፎኛ"ን ጉጅለኡን ከኣ በቲ ካልእ ወገን ዓጢቆምዎ ዝነበሩ ብረት ኤርትራ ኣብ ሕጊ ምስ ተመልሰ፡ ዋላ'ኳ ዓጠቕቲ ተገራጨውቲን ተሃራሪሞምን እንተነበሩ፡ ሂወት ኤርትራውያንን ንብረቶምን ንምዕቓብ ግን ኣብ ቅድሚ ናይ ወጻኢ ተጻብኦታት ሓደ እዮም ነይሮም። እቶም ነቲ ዕርቂ ከም ጽቡቕ ዕድል ዝርኣይዎ ናይ ደገ ተጻባእቲ ግን ንዝምታ ናይቲ ከባቢ ተንቐሳቐሱ። ብወገን ደቡብ ካብ ትግራይ ዝመጹ ጉጅለ ሽፋቱ ተንቀሳቐሱ። ብወገን ምዕራብ ከኣ ካብ ሱዳን ዝመጹ፡ ጥሪት ጥራይ ዘይኮነ እንከላይ ገላዩ ንምግባሮምን ንምሻጦምን ህጻናት ዝሰርቑ ሰረቕቲ ራሻይዳ ተንቐሳቐሱ። እዞም ክልተ ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ጥሪትን ጓሶተንን ናይቲ ከባቢ ዝተወደበ መጥቃዕቲታት ኣካየዱ። ኣብ ስርቂን ናይ ዓይነት ገንዘብን ኣብ ምኽፋልን ዋሃ ዘበሉ ኮኑ። እዚ ኩሉ ከኣ ኣብ ቅድሚ'ቲ ንዜጋታቱን ንብረቶምን ከሕሉ ዘይከኣለ መንግስቲ ኢዩ ዝፍጸም ነይሩ።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ገለ ነገር ክገብር ሓላፍነት ከምዘለዎ ይስምዖ ነይሩ። ንሽፋቱ ንምምካታን ንባህጊታቶም ንምፍሻልን ዓቕሚ ዝነበሮ ንሱ ምኾኑ ይስምዖ ነይሩ ክባሃል ይካኣል። ሓምድ ኣብቲ መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ወግዓዊ ቦታ ኣይነበሮን። ከምቲ ገለ ዝብልዎ ናይ ከባቢ ገርሰት (ሽቃ) እውን ኣይነበረን። እቲ ዝተዋሃበ ብረት ከኣ ከምቲ ገሊኦም ዝብልዎ ንጥሪትን ጸጥታን ናይቲ ከባቢ ንምሕላዎ ተባሂሉ ኣይኮነን ተዋሂቡዊ ዝነበረ። ከምኡ'ውን ካብ መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ደሞዝ ወይ ሓገዝ ይውሃብ ኣይነበረን። ከም ኩሉ ተራ ዜጋ ኢዩ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን ክብደት ናይቲ ሓላፍነት ይስምዖ ሰለዝነበረ ካብቲ ንሕልናኡ ዘየዕግብ ስቕታን ናይ ተዓዛብነት ኩነታትን ክወጽእ ወሲኑ።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብ1/3/1956 ብዛዕባ ንጥፈታት ሽፋቱን ዝፈጸምዎ ተግባራትን ብምዝርዛር መሪር ጥርዓን ዝሓዘ ናብ ሰበ ስልጣን ኤርትራ ኣብ ኣሰመራ ዶማንዳ (ጥርዓን) ኣቕሪቡ። ነቶም ሽፋቱ ንምህዳንን ንምድምሳስን ከኣ ካብ ነበርቲ ናይቲ ከባቢን ንጉስነት ኣብቲ ከባቢ ዝወርዱ ጓሶትን ዕጡቕ ሓይሊ ክቐውም ሓሳብ ኣቕረበ። መንግስቲ እንተድኣ መዚዙዎ ድማ ነቲ ዝቐውም ሓይሊ ክመርሖ ድልው ምኻኑ ኣፈለጠ። እቲ ዝቐውም ሓይሊ ድማ ካብ ቢንዓምር፡ ናራ፡ ኩናማ፡ ማርያን ጓሰት ደቂ ከበሳን ዝተዋጽኡ ክኸውን ኣመመ።

ሓምድ ነቲ ሓሳብ ከቕርብ ከሎ ነቲ ኩነታት ተጠቒሙ ብረት ንምረኻብ'ሞ ኣንጻር መንግስቲ ንምትሳእ'ዩ ኢልና ከንሓስብ ኣይንኽእልን። እቲ ዝዓበየ ግምት፡ ሓምድ ቀቢላታቱን መቕርቡን ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ብናይ ወጻኢ ሽፋቱ እንዳተዋረዱን፡ እቲ ንኣመሓደርቲ ናይቲ ከባቢ ደቆምን ንብረቶምን ንኽሕሎ ዘቕርብዎ ጥርዓናት ግብራዊ መልሲ ክሰእንሉ እናረኣየን እንከሎ ትም ክብልን ሸለልትነት ከርእን ሕልናኡ ከም ዘይገበረሉ ኢዩ። ከምኡውን ነቲ ናይ ብረት ሞያኡን

ጅግንነትን ምስ ገደፈ ዝሰኣኖ ዝና ሰለዝናፈቐ፡ ናብቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ንሞት ዘቃልዖ ናይ ሓዊ ጸወታ ንምኻድ ርጉእ ሂወት ክገድፍ ደልዩ ኢልካ ምሕሳብ ክውንነታዊ ኣይኮነን።

ይኹን'ምበር እቶም ጥርዓን ዘቕረበሎም ሰበ ሰልጣን፡ ንሓምድ ዝደረኸ ሓቂታት ሰለዘይግመቱ፡ ንተበግሶታቱ ካብቲ ንሱ ዝሓሰቦ ዝተፈልየ ትርጉም ብምሃብ ነቲ ቅኑዕ ተበግሶኡ ጎስዮምዎ።

ኣመሓዳሪ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣሰመራ ብ9 መጋቢት 1956 ርእይቶኡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ንኽህቦ ንጠለብ ሓምድ ደብዳቤ ኣስንዩ ናብ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ዝነበረ ዓሊ ሙሓመድ ኑር ምህሪ ኣመሓለለፎ። ምስቲ ጠለብ ብመገዲ'ቲ ኣመሓዳሪ ዝዋሃቦ ናብ ሓምድ ዓዋተ መልእኽቲ ብምጽሓፍ ጉዳዩ ናብ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ተመሓላሊፉ ከም ዘሎ ሓበሮ።

ዝርዝር ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ ነቲ ንሓምድ ናብ በረኻ ንኽውጽእ ዝደረኾ ፍጻሜታት ንምፍላጥ ሰለዝሕግዝ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ከኣ ብወገኑ ብ17/3/1956 ንጠለብ ሓምድ ናብ ኣመሓዳርቲ ወረዳታት (Division) ባረንቱን ተሰነይን ብምልኣኽ ርእይቶኦም ኣብቲ ጉዳይ ክልእኽሉ ሓተቶም። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣማሓዳሪ ባረንቱ (Divisional officer) ዓብዱ ኣሕመድ በረምበራስ፡ ኣማሓዳሪ ተሰነይ ከኣ ህዳድ ከራር ነይሮም።

*መልሲ ክልቲኦም ከ እንታይ ነይሩ?*

- ኣማሓዳሪ ተሰነይ፡

"ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሽፍታ ዝነበረ ኣብ 1951 ንመንግስቲ ኢዱ ዝሃበ ኢዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከኣ ሽዱሽተ ብረት ተዋሂቡ። ብረት ዝተዋሃበሉ ምኽንያት ከኣ ብመሰረት ጠለቡ ኾይኑ ነቲ ዝነበረሉ ከባቢ ካብ ሸፋቱ ንምሕላው ከምዝነበረ ክግመት ይካኣል። እንተኾነ ግን እቲ ዝሕዝን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ፈጺምዎ ዝብሃል ነገር ክሳብ ሕጂ የለን።"

"ሓምድ ኣብ ሕሉፍ ዝናታት ዝነብር ሰብ እዩ። ዝና ሽፍትነትን ምቅታል ብረት ዘይብሎም ሰላማውያን ዜጋታትን ማለትና ኢዩ። ንነብሱ ከኣ፡ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ጅግና ገይሩ ኢዩ ዝሓሰባ። ብሱምዕለይን ራኣይለይን ዝሰኸረ ሰብ ኢዩ። እንተ'ቲ ንንጥፈታት ሸፋቱ ምጥፋእ ወለንተኛታት ሓረስቶትን ምዕጣቅ ዘቕረቦ ሓሳብ ብወገን ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ኣብ ትሕቲ መጽናዕቲ ከም ዘሎ እኣምን ኢዩ። ተቐባልነት እንተ ድኣ ረኺቡ ድማ ንንጥፈታት ሸፋቱ ኣብ ምጥፋእ ኣድማዒ ሮቃሒ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።"

"እንተ'ቲ ነቲ ጉጅለ ንምምራሕ ዘቕረቦ ጠለብ ግን፡ ኣነ ንብሩህ ምኽንያት ኣይድግፎን እየ። ንሱ ከኣ ሞያ ሸፋትነት ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ንናራ ዝሕሉ ቀንዲ ጸላኢ ኩናማ ሰለዝነበረ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ቀቢላታት ነባሪ ጽልኢ ከም ዝሰርት ገይሩ ኢዩ።"

- ኣማሓዳሪ ባረንቱ፡

"ክትፈልጥዎ ዘሎኩም ዕጡቓት ክርስትያን ሸፋቱ ብዶብ ኢትዮጵያ ብቀጻሊ እናኣተው ንህዝብና ማለት ንቢንዓመርን ማርያን ... ወዘተ ኣስጋእቲ ኮይኖም ኣለው። ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ግን ጉድኣት ኣይፍጽሙን ኢዮም። ካብ ሸፋቱ ጥሪትኩም ክንሕልወልኩም እናበሉ ኣብ ዓመት ሓንቲ ላም ወይ 50 ብር ኢትዮጵያ ካብ ህዝብና

ክራይ ይሓቱ። ህዝብና ምስ ዝኣብዮም ድማ ብካልኦት ሽፋቱ ገይሮም ከብቶም ይዘምትውን።”

“ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕስ ነጥቢታት ብምብጋስ እምበኣር ብርእይቶይ መንግስቲ ካብ ቀቢላታት ናይቲ ከባቢ 30 ሰባት ክዕጥቕ ኣለዎ፡ ማለት ብሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝምርሑ 10 ካብ ናራ 10 ካብ ኩናማ (ኩናማ ሺልክ) 10 ከኣ ካብ ቀቢላ ቢኒዓምር። እዚ ሓይሊ'ዚ ድማ ኣብ ጋሽ ካብ ኣንቶረ ክሳብ ሽምብቆ ክንቀሳቐስ ኣለዎ።”

**ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ዓሊ ምህሪ ከ እንታይ ይብል?**

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣብቲ ብ8/6/1956 ናብ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣሰመራ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ ነቲ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ተሰነይ ዘቕረቦ ምኽንያታት ኢዩ ከምዘለዎ ደጊፉ። እንተኾነ ግን ብዛዕባ እቲ ክግበር ዘለዎ ማእከላይ ፍታሕ እዩ ኣቕረቡ። ንሱ ብዛዕባ'ቲ ዘቀረቦ ፍታሕ ሓደ ሓይሊ ክቖውም፡ ናቱ ሓላፊ ከኣ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ክኸውን ተሰማመዐ። **“ንጥፈት ናይቲ ሓይሊ ግን ኣብ ትሕቲ ምቕጽጻር ፖሊስ ክካየድ”** ኣመመ። እቲ ሓይሊ ከኣ ካብ በኒዓምር፡ ናራን ኩናማን ዝተዋጽኡ ብ21 ሰባት ክቖውም ሓሳብ ኣቕረቡ። ቀጺሉ ድማ ነፍሲ ወከፍ ዕጡቕ ሰብ ወርሓዊ 20 ብር ኢትዮጵያን መራሒኦም ድማ 70 ቡር ክኽፈል ሓሳቡ ኣሰፈረ።

* * *

ንሓምድ እድሪስ ዝተፈቕደ ብረት ሽዱሽተ ዘይኮነስ ኣርባዕተ ኢዩ። ሓንቲ ኣይገበረን ተባሂሉ ከይክሰስ ድማ ከምቲ ጸብጻብ ኣመሓዳሪ ፖሊስ ኣውራጃ ዘረጋገጾ ዝተዋህቦ ብረት **“ነቲ ከባቢ ካብ ሽፋቱ ንኽሕልወሉ ተባሂሉ ኣይኮነን”** ነዚ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ክንርእዮ ኢና።

ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ዋላ'ኳ እቲ ሓይሊ ክቖውምን ሓምድ ክመርሓን እንተ ተስማማዐ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምምሕዳር ፖሊስ ክኸውንን እንተ ኣመመ፡ ንምኽንያት ኣማሓዳሪ ተሰነይ ምሉእ ብምሉእ ስለዝደገፎ ግን፡ ናቱ ሓሳብ ንሰበሰልጣን ኣሰመራ ነቲ ተበግሶ ዘዐውት ውሳነ ንከይወሰዱ ዓንቂፉ ክባሃል ይከኣል ኢዩ። ብሓቂ ከኣ እቲ ንሓምድ ከም ዘይኣሙን ሰብ ዘቅረበ ጸብጻብ ብትዕግስትን ብዘይ ምህዋኽን ንምርኣይ ነቲ ጠለብ ንምውንዛፍ ዝዕድም ኢዩ። ምኽንያቱ ብሓደ ናይ **“ሸፍትነት ሂወት ዝናፍቕ” “ንነብሱ ከም ተወዳዳሪ ዘይብሉ ጅግና ዝሓሰብ” “ስምዑለይን ራኣዩለይን ዝፈቱ”** ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ ድማ **“ንዝነበረሉ ከባቢ ካብ ሽፋቱ ክክለኸል”** ንዝኣተዎ ቃል ብዘይ ምኽባሩ **“ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክሳብ ሕጂ ፋጺሙዎ ዝበሃል ዘይብሉ”** ተባሂሉ ዝኽሰስ ሰብ፡ ዝምርሖ ሓይሊ ብመንግስቲ ክቅውምን ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ክግበረሉን ኢልካ ዝሕሰብን ኣእምሮ ዝቕበሎን ኣይኮነን።

ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ኣመሓዳሪ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣብ ናይ ሓምድ ጠለብ ንጹር ተገዳስነት ኣርእዩ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ከኣ ናብ ዝለዓለ ሓላፊ ኣውራጃ ርእይቶኡ ንኽህቦ ኣመሓላሊፍዎ ጥራይ ዘይኮነ ናብ ሓምድ እውን ጉዳዩ ንኽጽናዕ ናብ ሓላፊ ኣውራጃ ከምዝመሓላለፎ ዝሕብር መልእኽቲ ልኢኹ ኢዩ። ድሕሪ ከምዚ ዝኣመሰለ መልሲ ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ከ መርገጺኡ እንታይ ኢዩ ክኸውን ዝክእል?

ኩሉ ግዜ ላዕላዎት ሰበሰልጣን ኣብ ጸጥታውን ፖለቲካውን ጉዳይት ካብቶም ንኩነታት ዝቐርቡ ታሕተዎት ሰበ ስልጣን ዝያዳ ተኣፈፍቲ ኢዮም። ብዙሕ ተገደስነት ዘይብሉ ብወገን ንእሽቶ ሓላፊ ዝርኣ ዘይጥንቁቕ ኣዘራርባ፡ ንላዕለዎት ሰበ ስልጣን

ዘይምኻኑይ ስግኣታት ከፈጥረሎም ሰለዝኽእል፡ ምስ ዕትቡነት ናይቲ ጉዳይ ዘይሳነ ዝተጋነነ ስጉምቲታት ናብ ምውሳድ ኢዩ ዝድርኾም። እዚ ሰበ ስልጣን ኣስመራ ዝመረጽዎ ውሳነ ከኣ ካብ ከምዚ ዓይነት ስግኣት ዝተበገሰ ኢዩ ኢልና ክንግምት ንክእል። ምክንያቱ ነቲ ጉዳይ ድሕሪ መልሲ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ዓጽዮምዎ። በዚ ድማ ቀዳማይ መድረክ ናይዚ ጉዳይ ተደምዲሙ።

* * *

ቀዳማይ መድረኽ ናይዚ ጉዳይ'ዚ በቲ ብ8/6/1956 ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ንውሽጣዊ ጉዳይ ኣስመራ ዝሃቦ መልሲ ከም ዝተደምደመ ተዓዚብና ኣሎና። እንተ'ዚ ሕጂ እንዝረበሉ ካልኣይ መድረኽ ኣብ ክፍላ 1961፡ ማለት ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ምሉእ ናይቲ ቀዳማይ መድረኽ ኢዩ ዝጀምር። እቲ ጉዳይ ኣብ ክፍላ 1961 ከም እንደገና ተላዒሉ።

ንምኻኑ እዚ ጉዳይ'ዚ ንሓሙሽተ ዓመት ኣብ ካብሒ ተረሲዑ ድሕሪ ምጽናሕ ከመይ ኢሉ ተላዒሉ? ናይዚ መልሲ ኣብ ቀዳማይ ሕጥቦ ጽሑፍ ናይቲ ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ተሰነይ ዝነበረ ሙሓመድ እኩድ ሃሮዳ ብ8/9/1961 ናብ ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ዝነበረ ኣሕመድ ሓሰን ሓሰኖ ዝጻሓፎ ጸብጻብ እንረክቦ ንኽእል ኢና። ሃሮዳ ኣብቲ ዝጻሓፎ ጸብጻብ፡ ሓላፊ ፖሊስ ኣውራጃ ኣቑርደት ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ረኺቡ፡ ኮምሽነር ፖሊስ ኣሰመራ (Commissioner Police - Compol) ክራኽቦን ብዛዕባ'ቲ ናይ ቅድም ጠለቡ ምስኡ ክመያየጥን ይደሊ ከምዘሎ ንኽሕብሮ ከም ዝተመዘዘ ይገልጽ።

ኣማሓዳሪ ሙሓመድ እኩድ ሃሮዳ ኣብ ጸብጻቡ፡

"ንሓምድ እንራኽበሉ ግዜን ቦታን ንኽውስነለይ ልኢኽሉ። እንተኾነ ግን ሓምድ ኣብ ሕርሻ ተጻሚዱ ከም ዘሎን ሕርሻኡ ክገድፍ ከምዘይክእልን ብምሕባር ንጠለበይ ኣይተቐበሎን።" ይብል። ኣሰዒቡ ድማ "እንደገና ሽቃ ናይ ጉልጅ ልኢኽ እቲ ርክብ ንረብሓኡ ምዃኑ ንኽዕግቦ ሓቢረዮ። ሓምድ ነቲ ርክብ ብምቅባል ድማ ብ31/7/1961 ኣብ ንቀጣ ፖሊስ ገርስት ንኽንራኽብ ቆጸራ ገበረለይ።" ምስ በለ ቀጺሉ ሃሮዳ፡

"ኣብቲ ዝተወሰነ ዕለት ናብ ንቀጣ ፖሊስ "ገርሰት" ከይደ ንሓምድ ረኺበዮ። ኣመሓዳሪ ፖሊስ ዝበሎ፡ ማለት እቲ ናይ ቅድም ጠለቡ ኣብ ግምት ከም ዝኣተወ፡ ሕጂ ብዛዕባ'ቲ ሓሳብን ትግባረኡን ምስኡ ክመያየጡ ይደልዩ ከምዘለው፡ እቲ ጉዳይ ድማ ንረብሓኡ ምዃኑ ገሊጸሉ። እንተኾነ ግን ሓምድ ኣብ ናይ ፍርሒ ኩነታት Fearful condition ሰለዝነበረ ነቲ ዝበልኩዎ ኣይኣመኖን። ዋላ'ኳ ዘፍርሓ ነገር ከምዘየለ ከእምኖ እንተፈተንኩ፡ ንሱ ግን ኣንጻር ምስሌነ ናይ ቀቢላታት ብናይ ንዕቐት ቃላት ብቀጻሊ ይዛረብ ነይሩ። ፖሊስ ኣንጻሩ ይሰርሑ ምህላዎም ከምዝፈልጥን ንኽኣስርዎ ይደልዩ ከምዘለዎን እውን ገሊጹለይ። ኣብ መጨረሽታ ድማ ክሳብ ኣመሓዳሪ ኣውራጃን ኣዛዚ ፖሊስ ኣውራጃን ዝረኽቦም ንሰለስተ መዓልታት ኣብ ገርሰት ክጽበየኒ ሓቲተዮ። ብልክዕ ከኣ ምስኣታቶም ርክባተይ ኣካይደ።" ኢሉ።

ኣመሓዳሪ ሃሮዳ ኣብ ጸብጻቡ ንኣርእስትና ዝምልከት ኣገዳሲ ጉዳይ ጠቒሱ ኢሉ። እቲ ጸብጻቡ "ሓምድ፡ ፖሊስ ንተጻዋዕቲ ምስሌነ ቀቢላታት ንምፍታው ከኣሰሩኒ ኢዮም ዝብል ስግኣት ነይሩዎ። ምስ ሽፋቱ ርክብ ከምዘይብሉን ናብኦም ንምጽንባር ከምዘይሓሰብን እውን ኣብሪሁ።" ይብል።

ብድሕሪ'ዚ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣሕመድ ሓሰን ሓሰኖ ብ2/8/1961 ምስ ሓምድ ዓዋተ ኣብ ገርሰት ኣብታ ዝተጸውዓላ ብሓምድ ዝተታሓዘት ኩርባ ንበይኖም ተራኸቡ።

ኣመሓደሪ ኣውራጃ ካብ ርክቡ ምስ ተመልሰ ኣብቲ ንኮሚሽነር ፖሊስ ዝጻሓፎ ጸብጻብ፡ ሓምድ **"ክበልዕዎ ዝደለዩ ኣባጉምባሕሲ ዛግራ'ዩ ይብልዋ"** ብምባል ዛረባ ከም ዝጀመረ፡ እዚ ከኣ ሰበ ሰልጣን ነቲ ጉዳይ ከም ብሓድሽ ምልዓሎምን ኣብኡ ተገዳስነት ምርኣዮምን ንሓደ ንሶም ዝፈልጥዎ ነገር ኢሎም ጥራይ እዮም ማለቱ ኢዩ። ሓምድ **"እንጻር እንግሊዝ ከመይ ኢሉ ተቓውሞ ከምዝጀመረን፡ ሽፋቱ ንህዝቢ እናቐተሉን ጥሪቱ እናዘመቱን ሰበ ስልጣን ብሪጣንያ ምስቲ ኩሉ ካብ ህዝቢ ዝቐርብሎም ዝነበረ ጥርዓናት ንንጥፈታት ሽፋቱ ገደብ ከምዘይገበረሉን ገሊጹ"** ይብል።

ኣመሓዳሪ ኣውራጃ፡ ሓምድ ምስኡ ናብ ኣሰመራ ን'ኽኻይድ ምእንቲ ንምዕጋቡ ብዙሕ ፈቲኑ። መንግስቲ ኣብ ልዕሊኡ ሕማቕ ይሓስብ ከምዘየሎ እውን ክሳብ ብኣምላኽ ምሒሉሉ። ድሕሪ ነዊሕ ክትዕን ምምልላስን ሓምድ ምስኡ ናብ ኣስመራ ክኸይድ ከም ዘተሰማምዐን ንዕለት 15 መስከረም 1961 ናብ ኣቑርደት ክመጸ ምዃኑ ከም ዝሓበሮን ኣብ ጸብጻቡ ይገልጽ።

ኣመሓዳሪ ሃሮዳ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ብ8/9/1961 ዝተጻሓፈ ጸብጻቡ፡ **"ሓምድ ናብ ሽፍትነት Banditry ከም ዝተመልሰን ናቱ ጉጅለ ኣብ ሃደምደሚ ድዃን ከምዝዘመቱን ብ3/9/1961 ሓበሬታ በጺሑና።"** ይብል።

በዚ ድማ ሓምድ፡ ነቲ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ሰበ ስልጣን መንግስቲን ዝካየድ ዝነበረ መኻን ዘተ ንበረኻ ብምውጻእ ገደብ ገበረሉ። ይኹን'ምባር እዚ ናይ ሕጂ በረኻ ምውጽኢ ብመገዲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ዝብል ጭርሖ ሒዙ ኢዩ። እዚ ጭርሖ'ዚ ድማ ከምቲ ኣብ ዝቕጽል መጽናዕቲና እነቕርቦ ጸብጻባት ፖሊስ ዘብርሆ ካብ ቀዳማይ ማዓልቲ ጀሚሩ ኣልዒሉዎ ዝነበረ ኢዩ።

ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ናይ ሓደ ኣብ ቦትኡ ዘየልዓልናዮ ሕቶ መልሲ ክንረክብ ን'ኽእል ኢና። ንሱ ከኣ፡ ሓምድ ሰለምንታይ ኢዩ ንሜዳ ዝወጸሉ ዕለት ኣቐዲሙ ዘይወሰነ? ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ነቶም ካብ ከሰላ ዝመጹ ልኡኻት ዘገበሮ ካልኣይ ርክብ ሓምድ ብዛዕባ ዝወጸሉ ዕለት ክሕተት ከምዘይደለ ከምዝሓበሮም ዝዘከር'ዩ። ልኡኽ ከሰላ ምስ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ዝተራኸበሉ ብሓምለ ምዃኑ ዑመር ዳመር ዝሃበና ኣገዳሲ ሓበሬታ ነቲ ሕቶ ዝምልስ ኢዩ። ሓምድ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኣብ ጽዑቅ ዘተ ኢዩ ነይሩ። ሓምድ ዝወጸሉ ግዜ ዘይምውሳኑ ከኣ፡ ኣቐዲሙ መንግስቲ ነቲ ጉዳይ ዘልዓለሉ ምኽንያትን እቲ ኣብ መንጎኡን መንግስቲን ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ዘበጽሐ ደረጃን ንምፍላጥ ምዃኑ ክንግምት ን'ኽእል።

* * *

እቶም ሰበ ስልጣን መንግስቲ፡ ንስሙ ምስኡም ከም ዘተኣሳስርዎ ዝገመተን፡ ምስኦም ርክብ ከም ዘይብሉን ናብኣቶም ክጽንበር እውን ድሌቱ ከምዘይኮነ ሓምድ ዝገለጸም ሽፋቱ ኣብ ኣጋ መጀመርታ ናይቲ ዓመት'ቲ ኣንጻር መንግስቲ ዝተላዕሉ ጉጅለ ደቂ'ቲ ከባቢ ኢዮም። ጥሪት ረሻይዳን ናይ እስራኤል ኩባንያ ኣንኮደ ድማ ክዘምቱ ጀሚሮም። ሜጀር ጎይትኦም ንህዝቢ ናይቲ ከባቢ ኣብ ሚያዝያ 1962 ዓ.ም ኣብ ዘካየዶ ኣኼባታት ብዛዕባ ህላወ ናይቶም ሽፋቱን ዝምድና ሓምድ ምስኣታቶም ኣመልኪቱ ተዛሪቡ። **"ሓምድ በቶም ቀድም ሽፋቱ ዝነበሩ ሰዓብቱ ኣቢሉ ኣግማል ራሻይዳ ክዘምት ጀሚሩ። ሓደ መዓልቲ ኣርባዕተ ሽፋቱ ካብ ጉጅለኡ ክሰርቁ ምስ**

*ፈተኑ ብረሻይዳ ብዝወረዶም መጥቃዕቲ እቶም ሰለስተ ክሞቱ ከለው ራብዓዮም ግን ሃዲሙ ወጺኡ።"* ክብል ገሊጹ።

*ሓምድ ቅድሚ ንሜዳ ምውጽኡ እዞም ጉጅለ ሽፋቱ ከምዝነበሩ ኣደም ሙሓመድ ሓምድ (ግንድፍል) የረጋግጽ። ንሱ ሓደ ካብቶም ሓምድ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ኣወጀ ዝርከብዎ ኢዩ። "እቶም ምስ ሓምድ ዝወጹ ትሽዓተ ሰባት ኢዮም። ኣብ ሃዋሻይት ከኣ ረኺብዮም። ይኹን'ምበር ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ካብ ናይ እስራኤል ኩባንያ ኣንኮደ ኣብ ጎልጅ ጥሪት ዝሰርቁ ጉጅለ ሽፋቱ ነይሮም ኢዮም። ሓምድ ንሜዳ ቅድሚ ምውጽኡ እዞም ጉጅለ ሽፋቱ እዚኣቶም ከብቲ ሒዞም ናብ ሓምድ ምስ መጹ ካብቲ ዓዲ ክወጹ ሓቲቱዎም። ፖሊስ ኣሰር ናይተን ዝተዘመታ ከብቲ ሒዞም ናብ ዓዲ ሓምድ ምስ መጹ ድማ፡ ሓምድ እቶም ሽፋቱ ዝኸደሉ ኣንፈት ሓቢርዎም። ሓምድ ናብ ሜዳ ምስ ወጸ ግን ካልእ ምርጫ ሰለዘይነበሮም እቶም ሽፋቱ ናብኡ ተጸንቢሮም። ድሓር ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ምስ ተስለፉ ግን፡ ሓምድ ንዓታቶም ካብ መስርዕ ተጋደልቲ ኣውጺኡ ስጒጉዎም። ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ከኣ ሓደ ካብኦም ኢዩ ነይሩ።"*[26] ክብል ሓቢሩ።

ከምኡውን ኣብ 1961 ኣባል ፖሊስ ተሰነይን ናይ ክፍሊ ስለያ ኣባል ዝነበረ ፖሊስ ኪዳነ ህዳድ ቁርባን፡ ሓምድ ቅድሚ ምውጻኡ ኣብ ጋሽ "ደራፍያይ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ከብቲ ከም ዝተሰርቃ የረጋግጽ። እተን ከብቲ ካብ ጉልጅ ዝተገዝኣ ናይ ሽቃጦ ከብቲ ዋንነት ምንባረንን፡ ካብቶም ፍሉጣት ሽፋቱ ዑመር ከራይ፡ ዑስማን በረግን ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊን ምንበሮምን ከኣ ይሕብር። ኣስዒቡ ኪዳነ፡ ከም ጸጥታ ፖሊስ መጠን ምስ ሓደ ካብ ጓሰት ናይተን ከብቲ ንምድላየን ከሰላ ከምዝኸዱ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ከሰላ ክረኽቡወን ከምዘይከኣሉ ይገልጽ። ካልእ ኪዳነ ዝሃቦ ኣገዳሲ ሓበሬታ ድማ፡ ካብቲ ንዝተዘምታ ከብቲ ንምድላይ ከይድዎ ዝነበረ ከሰላ ምስ ተመልሰ ሰበ ስልጣን ተሰነይ ነተን ኣብ ጋሽ ዝተሰርቓ ከብቲ ዝደልዩ ንሱ ሓዲኦም ዝኾነ ብ15 ኣባላት ዝቆመ ሓይሊ ፖሊስ ከም ዝለኣኹ፡ ቀዳመይቲ ለይቲ ኣብ "ገርሰት" ከምዝሓደሩ ሓምድ ድማ ሓሪዱ ጽቡቕ እንግዶት ከም ዝገበረሎምን ኣብቲ ካልኣይ መዓልቶም ብእግሮም ከም ዝተጓዕዙን ይገልጽ።[27]

ካብዚ ኩሉ ሓበሬታታት'ዚ ኣብ ምንታይ መደምደምታ ክንበጽሕ ንኽእል?

1. ሓምድ ኣብ 1956 ዓ.ም ዘቕርቦ ዶማንዳ እንደገና ኣብ 1961 ምልዓሎምን ንኣገባብ ትግበረኡ ብዝምልከት ንምምይያጥ ብዝብል ምስምስ ንሓምድ ናብ ኣስመራ ንኽመጽእ ምዕዳሞምን ካብ ጽቡቕ ድሌት ዝተበገሰ ከም ዘይነበረ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይመስለናን። እቲ ዶማንዳ ዝትግበረሉ ግዜ ሓሊፉ ኢዩ። ብርእይቶና ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓምድ ናብ ሜዳ ኰናት እንደገና ምምላስ ንሂወቱ ናብ ሓደጋ'ኳ ዘኣቱ እንተ ኾነ፡ ንህዝቡን ዓዱን ንምግልጋል ሓቀኛ ድሌት ነይርዎ ክንብል ንክእል። ሹዑ ናይ ስርቂን ዝምታን ስራሕ ንምክያድ ምእንቲ ብረት ንምርካብ ድሌት ከምዝነበሮ ዝሕብር ምልክታት ወይ ሓሳብ ፍጹም ኣይረኸብናን፡ ግምት እውን የብልናን። እንተኾነ ግን፡ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘይ ምኽንያይ ጥርጣረታት ኣብ ጉዳዩ ሽለልትነት ብምርኣይ ንጠለባቱ ብዘይ ምልኩዕ ኣገባብ ጎስዮምዎ። ሓምድ ጠለባቱ ሰለዝተጎሰየን ከም ዘይኣሙን ሰብ ስለዝተራኣየን ልዕሊ ሰበ ስልጣን ምረት ተሰሞዕዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ንኣስመራ ንኽመጽእ ዝቐረበሉ ጠለብ ብዓይኒ ጥርጣር ክርእዮ ባህርያዊ ኢዩ።

---

[26] ብ7/1/1988 ኣብ ከሰላ ጉንተር ምስኡ ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ

[27] ደራሲ ምስኡ ብ13/5/2006 ኣብ ከተማ ከረን ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ

2. ሰበ ስልጣን መንግስቲ፡ ሓምድ ምስቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ጉጅለ ሽፋቱ ዝምድና ኣለዎ ዝብል ጥርጣረ ብሓቂ ዲዮ ነርዎም? ሓምድ ምስቶም ጉጅለ ሽፋቱ ዝምድና ከም ዘይብሉን ዝኸድሉ ኣንፈት ንፖሊስ ምሕባሩን ካብ መስርዕ ሰውራ ከም ዝሰጎጎምን ግንድፍል ዝሃቦ ምስክርነት ኣቃሊልካ ዝርኣ ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ዝቅጽል ምዕራፍ እንርእዩ ካብ መስርዕ ሰውራ ዝተሰጉሉ ፍጻመ ኣዝዩ ፍሉጥ ፍጻመ ኢዩ ነይሩ። ሰበ ስልጣን መንግስቲ ንስም ሓምድ ምስ ሽፋቱ ምትእስሳሩ ከምቲ ሓምድ ኣብቲ ብ2/8/1961 ምስ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ዝበሎ ካብ ናይ ውሽጦም ዕላማታት ተበጊሶም ይደልይዎ ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ ካልእ መርትዖ ኣሎ። እዚ መርትዖ'ዚ ከኣ እቲ ኣባል ጸጥታ ፖሊስ ኪዳነ ህዳድ ዝበሎ ኢዩ። ሽፋቱ ንምድላይ ምስ ከዱ ምስ ሓምድ ሓደ ለይቲ ኣብ ገርሰት ከምዝሓደሩ፡ እዚ ድማ ሓምድ ቅድሚ ምውጽኡ ብክልተ መዓልቲ ከምዝነበረ ምሕባሩ ኢዩ። ኪዳነ ብምቅጽል ከኣ፡ ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ካብ ገርሰት ምስ ከዱ ብቅልጡፍ ገርሰት ከምለሱ እትጠልብ መልእኽቲ ኣብ "ዕዮተይ" ዝተባህለ ቦታ ከምዝመጽኦም ከኣ ይገልጽ። ናብ ገርሰት ምስ ተመለስና ኣብ ንቑጣ ፖሊስ ዝጸንሓና ካፖተን ዓብደልቓድር ሙሓመድ ዓሊ ትማሊ መዓልቲ ሓምድ ንሜዳ ከምዝወጸ ሓቢሩና፡ ዓብደልቃድር ሙሓመድ ዓሊ ምስ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣሕመድ ሓሰኖን ኣዛዚ ፖሊስ ተሰነይ ገብረኪዳንን ኮይኖም ንሓምድ ናብ ንቑጣ ፖሊስ ንኽመጽኦም ከምዝጸውዕዎ፡ እንተኾነ ግን ንሱ ኣሰብኡት እንተድኣ ኮንኩም ኣብዚ ምጽኡኒ ብምባል ከም ዝነጸጎም፡ ሽዑ ለይቲ ፈረሱ ቀቲሉ ንሜዳ ከም ዝወጸ፡ በዚ ድማ ኣመሓዳሪ ኣውራጃን ኣዛዚ ፖሊስን ንተሰነይ ከምዝተመለሱን ንሱ ከኣ ነዚ ምዕባለ'ዚ ንኽሕብሮም ተባሂሉ ኣብዚ ክጸንሖም ከም ዝተመዘዘ ገሊጹልና ይብል ፖሊስ ኪዳነ።[28]

እምበኣርከስ ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ተዋስኦታት'ዚ ከ ፖለቲካዊ ምኽንያታት ኣሎዶ?

- ስም ሓምድ ኣብ ውሽጢ ተማሃሮ ካይሮ መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ከሰላ ብዙሕ ከም ዝተደጋገመ ተዓዚብና። ብመገዲ መሓመድ ሼክ ዳውድ ምስ ሓምድ ርክባት ተካይዱ ከምዝነበረ'ውን ተዓዚብና ነይርና። ዋላ እኳ ሓምድ ኣብቲ ርክባት'ቲ ዝወጸሉ ግዜ ኣይወስን እንበር ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምእዋጅ ድልው ምኻኑ ኣረጋጊጸሎም ነይሩ።
- ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ከኣ ብወገኑ፡ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መጽሓፉ ሓምድ "**ኣባል ምንቅስቓስ ሓረካ ነይሩ ንሕጊታትን ፕሮግራምን ም.ሓ.ኤ ኣንቢቡን ዓጊቡሉን ኢዩ። ኣብ መንጎኡን ም.ሓ.ኤን መራኸቢ ዝነበረ ከኣ ኣባል ጨንፈር ሓረካ ኣቑርደት ሙሓመድ ዮሱፍ ኣድም እዩ ነይሩ።**" ድሕሪ ምባል ሙሓመድ ዮስፍ ነዚ ሓቂ'ዚ ብተደጋጋሚ ይገልጾ ከምዝነበረ ናውድ ብተወሳኺ የረድእ። "**ኣብቲ ብናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ተ.ሓ.ኤ. ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካድራት ኣብ 1985 ኣብ 'ኦዴብ' ዝተኻየደ ናይ ሓባር ሰሚናር ኣረጋጊጽዎ።**" ክብል ሓቢሩ (ገጽ 241)

ንሓምድ ብኸመይ ከም ዝረኸብዎ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ዝመያየጥሉ ዝነበሩ እዋን፡ ብመገዲ መምህር ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ንሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ምርካብ ከምዝከኣል ሓሳብ ዘቕረበ ሙሓመድ ዮሱፍ ኣደም ከምዝነበረ ከኣ ሙሓመድ ኣደም ገሲር ይገልጽ። ከምኡውን እዛ ነጥቢ እዚኣ ብዝምልከት ሓምድ ኣባል ም.ሓ.ኤ. ከምዝነበረ ባዕሉ ኣባል ም.ሓ.ኤ ዝነበረ ፖሊስ ኪዳነ ህዳድ ኣረጋጊጹ።

---

[28] ቃለ መጠይቕ ናይ ቅድም ምንጬ

ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣመልኪቱ ከኣ ኣብ 1959 ብመገዲ ገለ ኣባላት ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ናብ ከሰላ ከም ዝተጻውዐን ገለ ኣባላት ምስኡ ኣኸባ ብምኽያድ ዕላማታት ሓረካ ከምዝገለጽሉ፡ ድሕሪ ምቅባሉ ከኣ ከምዝመሓለ ዝገለጸ ፖሊስ ኪዳን፡ ድሕሪ ኣባልነት ሓረካ ምቅባሉ ድማ ሓምድ ኣባል ሓረካ ምዃኑን ብሓባር ክሰርሑ ከምዘለዎምን ከምዝገለጽሉ ኣረዲኡ። ድሕሪ ንኤርትራ ምምላሱ ከኣ ንሓምድ ኣባል ሓረካ ከምዝኾነ ምስ ገለጸሉ፡ እቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዝምድናኦም መሊሱ ከምዝሓየለ ሓቢሩ።[29]

- ብተወሳኺ፡ እቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣቦ መንበር ፖርላማ ኤርትራ ከሎ ኣብ ኣሰመራን ካብ ፖርላማ ምስ ወረደ ኣብ ኣቑርደት ከሎን ሓምድ ከም ዝተዛረቦ ዘቕረቦ ሓበሬታ እውን ኣሎና። እዚ ድማ ሓምድ ብፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ይግደስ ከምዝነበረ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሃገሩ ሓራ ንምውጻእ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ኣበርክቶ ክገብር ድልው ከምዝነበረ ዘረጋግጽ ኢዩ።

እምባኣርከስ እዚ ኩሉ ምንቅስቓሳት'ዚ ካብ ጠመተን ምስማዕን ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝተኸወለ ድዩ ነይሩ? ኣይመሰለናን። ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ብመገዲ'ቲ ኣብ ተሰነይ ኮይኑ ንኩሉ ይዕበ ይንኣስ ንጸጥታዊ ጉዳይ ዝምልከት ኣብ ከባቢታት ዶብ ጥራይ ዘይኮነ እንከላይ ኣብ ውሽጢ ከሰላ ዝከታተል ዝነበረን ኣብ መንጎ ሰበ ስልጣን ሱዳንን ሰበ ስልጣን ኤርትራን ናይ መውሃሃድ ቀለቤት ዝነበረ ንመጀር ዓብደልቃድር ሙሓመድ ዓሊ ኣቢላ ኣብቲ ከባቢ ብደቂቑ ዝቘምት ዓይኒ ሰለዝነበራ ኣይትፈልጦን ነይራ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ሰራዊት ሱዳን መኮንን ዝነበረ መጀር ዓብደልቓድር ሙሓመድ ዓሊ ብሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ነዚ መዚ'ዚ ምሓዙ ከኣ ንፖለቲካዊ ንጥፈታት ንምክትታልን ገደብ ንምትሓዙን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ምስ ሰበ ስልጣን ሱዳን ንምውህሃድን ምዃኑ ነቶም ኣብ ተሰነይ ዝሰርሑ ኣባላት ፖሊስ ኤርትራ ዝነበሩ ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ከምኒ ሙሳ ሙሓመድ ሃሽምን ዓብደራሕማን ዑስማንን (ሹባክ) ከምኡውን ነቶም ኣብ ከሰላ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ምድላዋት ዝገብሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳንን ብሩህ ኢዩ ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ከኣ፡ እቲ ናብ ኣሰመራ ንኽመጽእ ንሓምድ ዝቐረበሉ ጠለብ፡ ንምእስሩን፡ ዝኾነ ክሲ ኣብ ልዕሊኡ መሰሪትካ ንምፍራዱን እምበር ነቲ ናይ ቅድም ጠለቡ ንምርኣይ ከምዘይኮነ ክንግምትን ጥራይ ዘይኮነስ ክነረጋግጽን እውን ንኽእል ኢና።

ብዛዕባ ንሜዳ ምውጽኡ ግዜኸ እንታይ ክበሃል ይከኣል?

ሓምድ ሓንቲ መዓልቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምእዋጅ ዓጢቑ ከምዝነበረ ኩሉ ዝተረኽበ ሓበሬታታትን ምልክታትን ይሕብር። እንተኾነ ግን ኣብቲ ተገዲዱ ዝጀመሮ ዕለት ኣይነበረን። ንተበግሶኡ ወሲኑዎ ዝነበረ ዕለት እውን ኣይንፈልጦን ኢና ምናልባት ግን ድሕሪ ምህርቲ ሕርሻ ምእካቡ ወይ ብድሕሪኡ ክኸውን ይኽእል። እዚ ኮይኑ እቲ ግን፡ ከም ናይቲ ብመገዲ ሙሓመድ ሼኽ ዳውድ ወይ ብመገዲ ገና ኣስማቶም ዘይፈለጥናዮም ዘሎና ካልኦት ባእታታት ኽኾኑ ዝኽእሉ ኣባልነቱ ዝተቐበለ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ተዘርጊሑ ሰለዝነበረ ምውጽኡ ንሜዳ ካብ ውሱን ኣዋርሕ ዝሓልፍ ኣይነበረን ክብሃል ይከኣል ኢዩ።

---

[29] ቃለ መጠይቕ ብ13/5/2006 ናይ ቅድም ምንጪ

ንምኳኑ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንምእሳሩ ሰለዝወሰኑ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንኽወጽእ ዝሓበሮ ሰብ ኣሎድዩ? መብዛሕትኦም ብዛዕባ እቲ እዋን'ቲ ዝጻሓፉ ኪዳነ እዛዝ ዝተባህለ ክፍሊ ስለያ ፖሊስ ተሰነይ ንሓምድ ንኽትእሰር ተወሲኑ ሰለዘሎ ክትወጽእ ኣሎካ ኢሉ መልእክቲ ከም ዝሰደደሉ ይሕብሩ። ገለ ጽሑፋት ከኣ እቲ ንሓምድ ንምእሳር 40 ሰባት ዘለዎ ሓይሊ ንምምራሕ ዝተመዘዘ ባዕሉ ኪዳነ እዛዝ ምዃኑ ይገልጽ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ምስክርነቱ ዝሃበና ኪዳነ ህዳድ ቁርባን ካልእ ኪዳነ እዛዝ ዝበሃል የለን። ኪዳነ ህዳድ ድማ ኣብቲ ብ13/5/2006 ኣብ ከተማ ከረን ምስኡ ዝገበረናዮ ቃለ መጠይቕ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኪዳነ እዛዝ ዝበሃል ፖሊስ ከምዘይነበረ ኢዩ ዝገልጽ። ቅድሚ ኣባላት ም.ሓ.ኤ ምንባሮምን ድሕሪኡን ምስ ሓምድ ጽቡቕ ዝምድና ከምዝነበሮ የረጋግጽ። ሓምድ ቐልጢፉ ንሜዳ ንኽወጽእ ንሱ ድብዳቤ ከምዘይላኣከሉ ብተወሳኺ ይሕብር። እቲ ንሸፋቱ ንምህዳን ኪዳነ ህዳድ ዝርከቦም ብ15 ኣባላት ዝቆመ ሓይሊ ፖሊስ ቅድሚ ንበረኻ ምውጽኡ ብክልተ መዓልቲ ምስ ሓምድ ከምዝሓደሩን ሓምድ ንሜዳ ምስ ወጸ ከኣ እዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ በረኻ ከምዝነበረን ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ኣንቢብናዮ ኢና።

ኣብዛ ነጥቢ እዚኣ ኪዳነ ዘቕረቦ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከኣ፡ ኣብቲ ምስ ሓምድ ዝሓደርሉ ለይቲ ሓምድ ናብኡ ቀሪቡ ሰበ ስልጣን ኣውራጃ ናብ ኣስመራ ከይዱ ንሓላፊ ፖሊስ ኤርትራ ጀነራል ተድላ ዕቑቢት ንኽረክብ ይጽቅጥሉ ከምዘለው ከምዝሓበሮ፡ ከምኡ እውን ብዛዕባ ምስጢር ህላወ ሓረካ ኣብዚ ቦታ ዝተቓልዐ ነገር ኣሎ ድዩ ኢሉ ከምዝሓተቶን ኪዳነ ድማ **"ሓረካ ኣብ ከሰላ ከምዘለው ሓበሬታ ረኺብና ኣሎና። እንተ ኣብ ተሰነይ ግን ሓረካ ኣብዚ ከባብ'ዚ ከምዘለው ሰበ ስልጠን መንግስቲ ኣፍልጠ የብሎምን"** ከም ዝበሎን ይሕብር።

* * *

ኣብዚ'ውን ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ምርግጋጹ እቲ ዝለዓለ ኣገዳስን ካልኣይ ዓወትን ናይቶም መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ ክንብል ንክእል። እዚ ዓወት'ዚ ብድሌት ጥራይ ዝመጸ ዘይኮነስ ሳላ'ቲ ኩሎም'ቶም ንጉዳይ ኤርትራ ካብቲ ተዓፉኑሉ ዝነበረ መጋረጃ ኣውጺኦም ብመገዲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ቀጥታዊ ግብራዊ መድረኽ ንምስግጋሩ ብውሽጥን ወጻኢ.ን ዘካይድዎ ዝነበሩ ጻዕሪታት ዝመጸ ኢዩ።

## ምዕራፍ 4

# መልሰ ተግባር ድሕሪ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ

ሕጂ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ኩሉ'ቲ ንምኹላፉ ብኢትዮጵያ ዝተኻየደ ፈተነታት፡ እንተ ብድፍኢት ናይቶም ዝደፍኡ ዝነበሩ ወይ ምስ ኩሉ ዕቃበታት ናይቶም ድሌት ዘይነበሮም ኤርትራውያን ተበሪዑ ኣሎ። ኣብዚ ዝላዓል ሕቶታት እምበኣር ኣብቲ ግዜ'ቲ ብምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጽለው ወገናት መን'ዮም ነይሮም? ነቲ ፍጻመ ንረብሓታቶም ብዘገልግል ንምቅያሮም ከ ከመይ ተዋሲኦም? እንታይ ውጽኢት ከ ረኺቦም? ዝብል ኢዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ በቲ ፍጻመ ዝጽለው ወገናት ኣርባዕተ ኢዮም። ንሳቶም ከኣ ተ.ሓ.ኤ. ኢትዮጵያ፡ ህዝቢ ኤርትራን ም.ሓ.ኤን ኢዮም።

## 1. መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ዝተኸታተልናዮ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ግብጽን ሱዳንን ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምጅማር ዘይተቆጠበ ጻዕሪታት ኣካይዱ ኢዩ። ነቲ ተበግሶ ንምምራሕ ከኣ ካብ ሓምድ ዓዋተ ቃል ረኺቡም። እንተኾነ ግን ምስዚ ኩሉ ሓምድ ኣብቲ ግዜ'ቲ ይወጽእ ኢዩ ዝብል ግምት ኣይነበሮን። ተዳልየምሉ እውን ኣይነበሩን።

ብዛዕባ'ቲ ሃንደበታዊ ተበግሶ ቀዳማይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብመገዲ ኣቦ መንበሩ፡ ካልኣይ ከኣ ሓደ ካብ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ከሰላ ተዛሪቦም ነይሮም። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም **"ኣብ ወጻኢ ከሎና፡ ሓምድ ዓዋተ ንሜዳ ወጺኡ ዝብል መልእኽቲ በጺሑና። ስለምንታይ ዓዋተ ብረት ከይለኣኽናሉ ከሎና ንሜዳ ከምዝወጸ ንምፍላጥ ከኣ ናብ ከሰላ መልእኽቲ ሰዲደ።"**[30] ይብል። ሙሓመድ ስዓድ ከኣ ብወገኑ ኣብ ዝጻሓፎ ተዘክሮታቱ **"ምጅማር ሓርነታዊ ሰውራ ንኩሉ፡ ንጻላእቲ ንፈተውትን ንዓናን ብሓባራ ሃንደበታዊ ኢዩ ነይሩ።"** ክብል ገሊጹ።

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምጅማሩ ክገብሮ ዝሓሰብ ዝነበረ ምድላዋት ወይ ከረጋግጾ ዝደሊ ዝነበረ ቅድሚ ኩነት እንታይ ምዃኑ ንፈልጦ ነገር የለን። እንተኾነ ግን ክልተ ቅድመ ኩነታት ንምምላእ ይሰርሕ ከምዝነበረ ንፈልጥ ኢና። ቀዳማይ ምቕራብ ብረት፡ በዚ ምኽንያት ከኣ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ዝግዝእ ብረት ንምርካብ ይጽዕሩ ነይሮም። ካብ ውሽጦም ክልተ ሰባት ብምምዛዝ ከኣ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዋላ ክሳብ ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብረት ንምግዛእ ጽዒሮም። እንተኾነ ግን ክሰርሕ ዘይክኣል ናይ ቀደም ሓሙሽተ ብረት ኣብ ጋሽ "ብርመካናት" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ምስ ሼኽ ሓምድ ሕመድ ዝረኸብዎ እንተዘይኮይኑ ካልእ ብረት ክረኽቡ ኣይከኣሉን። እንተ'ቲ ካልኣይ ካብቲ ቀዳማይ ብኣገዳስነቱ ዘይንእስ ቅድመ ኩነት ምጽንባር ኤርትራውያን ወተሃደራት ናብ ሓምድ ምስ ምውዳእ ኣገልግሎቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝተኣሳሰር ኢዩ ነይሩ። እቶም ቀዳሞት ወተሃደራት ድማ ኣገልግሎቶም ንኽውድኡ ገለ ኣዋርሕ ተሪፉዎም ነበረ። እዞም ኤርትራውያን ወተሃደራት እዚኣቶም እንተድኣ ናብ ሜዳ ንምውጻእ

---

[30] ጉንተር ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ - ካርቱም 15/3/1989 ናይ ቅድም ምንጪ

ተደናገጥዮም ናይ ጥልመት ስምዒት ከም ዝሓድሮም ባህርያዊ ኢዩ። እቶም ኣገልግሎቶም ንኸውድኡ ቁሩብ እዋናት ጥራይ ተረፍዎም ዝነበረ ወተሃደራት ክሳብ ዝፍጽሙ ከ ናይ ሓምድ ናይ ምቅጻል ብቕዓት ክሳብ ክንደይ ምኻኑ ከሸቅሎም'ዶ ኣይክእልን ኢዩ? በዚ ምኽንያት እቲ ተበግሶ ነቶም ወተሃደራት ሃንደበት ጥራይ ዘይኮነ፡ ዘሰንበድ እውን ኢዩ ነይሩ።

ብዝኾነ መስረቲ ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ናይ ሃንደበትነት ስምዒት ብምቁጽጻር፡ ቀንዴል ሰውራ በሪሃ ንኽትቅጽል ጺዕሮም።

- ብወገን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምስቲ ኩሉ ናይ ሃንደበት ስምዒት ንምውጻእ ሓምድ ብልዑል ሓጎስ ኢዮም ተቐቢሎምዎ። ብብረትን ገንዘብን ነቲ ተበግሶ ብዛዕባ ዝሕግዝሉ መገዲ ክናዳይሉ ጀሚሮም። ብዛዕባ ምውጻእ ሓምድ ንሜዳ ንመጀመርያ ዝተሓበረ እደሪስ ሙሓመድ ኣደም ኢዩ። ንሱ ብወገኑ ከኣ ነዚ ዘሕጉስ ዜና'ዚ ነቲ ኣብ ሶማል ዝነበረ ዓርኩ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓበሮ። ኣቀዲምና መልሲ ተግባር እድሪስ ሰለዝረኣና፡ ሕጂ ድማ መልሰ ተግባር ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከመይ ከምዝነበረ ክንርእይ? ኣብዛ ብ7/11/1961 ካብ መቓድሾ ናብ እድሪስ ዝጸሓፋ መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።

***"ሓምድ ዓዋተ ኣብ ምዕራብዊ ቆላ ነቲ ኣወንታዊ ምንቅስቓስ ከምዝጀመረ ምስ ፖሊስ ኵናት ከምዘካየደ ሰብኣዊ ክሳራታት ከምዘውረደሎም፡ ቁጽሪ ናይቶም ናብ ሜዳ ዝወጹ ተቓወምቲ ኣስታት 4000 ከምዝበጽሑን፡ ይኹን'ምበር ናይ ዕጥቂ ዋሕዲን ፍጻሜታቶም ብሬድዮ ናይ ዘይምፍናው ጸገማት ከምዘለዎምን ካብ ደብዳቤኻ ክርዳእ ክኢለ ኣሎኹ። እዚ ኩሉ ተስፋ ዝህብ ሓበሬታታት ኢዩ። ብዛዕባ ቁጽሮም ግን ብወገን'ቶም ነቲ ሓበሬታ ዝሃቡ ዝተጋነነ ይመስለኒ። ብዝኾነ ግን ንተቓውሞ ሜዳ ምውጻኦም ኣመና ዘሓጉስ ፍጻመ ኢዩ። ምትብባዖም ከኣ ኣገዳሲ ኢዩ። እንተኾነ ግን ጎረባብቲ ሃገራት ናይ ተዓዘቢ መርገጺ ካብ ወሰዳ እንታይ ክግበር ይክእል? ብዝኾነ ንስኻ ዝክኣለካ ጻዕሪ ኣካይድ፡ ኣነ ብወገነይ ኣብዚ ዘለክዎ ቦታ እንታይ ክገብር ከምዝክእል ክሕብረካ እየ።"***

ፕራግማቲክዊ ዑስማን፡ ተጋደልቲ ክፍጽምዎ ኣለዎም ንዝብሎ ህጹጽ ስርሒታት ብዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ የቅርብ። ***"ቅንጸላታት ከካይዱ እንተሓበርካዮም እንታይ ይመስለካ? ንመራሒ መንግስቲ ኤርትራ (ኣስፍሃ ወልደሚካኤልን) ንኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ (ሓምድ ፈረጅን) እንተ ድኣ ቀቲሎም ጉዳይ ኤርትራ ብማዕከናት ዜና ዓለም ክጥመት ምተካእለ።"***

ቀጺሉ ከኣ ሚኒስተር ፍትሒ ዑመር ሓሰኖ ንሓምድ ድሕሪ ምውጽኡ ንምምላሱ ዝገበሮ መንጎኝነትን ሓምድ ምንጻጉን ይጠቅሶ'ሞ "ናይ ***ጠላም ሓሰኖ መንጎኝነት ንሰውራውያን ክጸሉ ኣይክእልን ኢዩ። ምክንያቱ ልዕሊ ኩሉ ሰለዝፈልጥዎ። ከምኡውን ጠለምቲ ምእንቲ ከመሃሩ ሰለምንታይ ናይ ምቅንጻሉ መደብ ዘይተውጽኡ? መንግስቲ ሱዳን ነቶም ካብ ዓማጺት ሓበሻ ሃዲሞም ዝመጹ ተጋደልቲ ምእንቲ ከይመልሶም ከኣ ጻውዒት እንተትገብርሉ ዝሓሸ ምኾነ። ብዝኾነ ንስኻ ነቲ ጉዳይ ብደቂቕን ዝተማልኣን መጽናዕቲ ምድላዋት ጌርካሉ ከምዘሎኻ ምሉእ እምነት ኣሎኒ። ኣምላኽ ምስኻ ይኹን።***" ብምባል ይገልጽ።

ብድሕሪ'ዚ ክልቲኣም ኣዕሩኽ ዋላ ብዝወሓደ ብረት ነቲ ተቓውም ንምሕጋዝ ተጓይዮም። ኣብ ስዑዲ ዓረብ ካብ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ገንዘብ ብምእካብ ከኣ ሓሙሽተ ብረት ዓሰርተ ዝልጎሙ (ኣብ ዓሸራ) ናይ እንግሊዝ ስርሓት ብምግዛእ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ሱዳን ሒዝወን መጺኡ። ድሕሪ ሓደገኛ ጉዕዞ ከኣ ኣብ

ግንቦት 1962 ናብ ሜዳ ኣትየን። ሓደ እዋን ኣብ ገዳርፍ ኣብ ኢዱ ሰበ ስልጣን ሱዳን ክኣትዎ ቀሪበን ነይረን እየን።

- እንተ ብወገን ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን፡ ሓምድ ንሜዳ ምስ ወጸ ብቐጥታ ንኽራኽብዎ ኢዮም ፈቲኖም። ኣብቲ እዋን'ቲ ካብቶም ወተሃደራት ዋላ ሓደ ኣገልግሎቱ ዝወደኣ ሰለዘይነበረ ከኣ ብሙሓመድ ኣደም ገሲር፡ ሓምድ የሱፍ፡ ኣብራሂም ሌማን፡ ዑመር ሙሓመድ ኣልሓሰንን ማሕሙድ ጣህር ሳልምን ዝቆመ ልኡኽ ንሓምድ ንኽረከብ ልኣኽዎም። እንተኾነ ግን ክረኽብዎ ሰለዘይከኣሉ ናብ ከሰላ ተመሊሶም። ነቶም ሰለስተ መራሕቲ ረኺቦም ብዛዕባ ኩነታት ሓምድ ንኽገልጽሎምን ህጹጽ ሓገዝ ንኽጠልቡን ድማ በዚ ጉዳይ'ዚ ንካይሮ "ንገሲር" ላኣኹ።

ኣብቲ ብ10/1/1961 ኣብ "**ኣዳር ሃንጃር**" ዝተኻየደ ዅናት ሓምድ ኣብ ኢዱ ምስ ተወግአ ከኣ ንኽሕክም ንሓኪም ሙሓመድ ኣደም ገሲር ምስ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ ልኣኽሉ። እዚኣ ከኣ ንሓምድ ናይ መጀመርታ ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝረኸበላ ኣጋጣሚ ኮይና። ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎኦም ዝተኻየደ ክትዕ፡ ሓምድ ተበግሶኡ ኣብ ስንጭሮ ዝተርፍ ጭርሖ ዘይኮነስ ብዘይጥርጥር ብድሕሪኡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝስዕብዎ ኣስብኡት ከምዘለው ክፈልጥ ክኢሉ ኢዩ።

ቀዳማይ ዙር ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሰራዊት ሱዳን ኣብ መጋቢት 1962 ኣገልግሎት ምስ ወድኡ፡ ካብቲ እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ዋላ ሓደ እኳ ኣይተረፈን። ኣብቲ ወርሒ'ቲ ንሜዳ ብምውጻእ ንሓምድ ኣብ "**ኣብሓሼላ ሽኩር**" ዝተባሃለ ዓዲ ረኺቦምዎ። እዞም ቀዳሞት ሓርበኛታት እዚኣቶም፡ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ፡ ዑመር ሓምድ እዛዝ፡ ዑስማን ኣቡ ሸነብ፡ ኣደም ሙሓመድ ሓምድ (ግንድፍል)፡ ኩቡብ ሓጃጅ፡ ሙሓመድ ኣደም እድሪስ ኣረይ (ገሲር) ሙሓመድ ዓሊ ኣቡ ርጂላን ሙሓመድ ኢብራሂም ባህዱራይን ኢዮም ነይሮም።

በዚ ከኣ ክልቲኡ ናይ ውሽጢን ደገን ድሌታት ሰሚሩ። ውጽኢቱ ከኣ ነዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

- ተበግሶ ዕጥቂዊ ቃልሲ ዝወሰደ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ክሳብ ቀዳማይ ዙር ኤርትራውያን ወተሃደራት ካብ ሱዳን ወጺኦም ምስኡ ዝስለፉ፡ ንሸውዓተ ኣዋርሕ ብምቅጻል ብቕዓቱ ኣመስኪሩ ኢዩ።
- ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበሮም እምነት ካብ መጀመርታኡ ካብ ዘይብሱል ስምዒታት ዝመጸ ዘይኮነስ፡ ንነፍሶም ዘዳለውሉ እስትራተጂያዊ ምርጫ ምኻኑ ተረጋጊጹ። እቲ መዓልቲ እቲ ከኣ ነዚ ሓቂ እዚ ኣግሂዱ ኢዩ።
- ሓምድ ክሳብ'ዛ ዕለት እዚኣ ብሓቂ ምስ ተብዓት ሰባት ይሰርሕ ነይሩ። ብጅግንነት ከኣ ኣብ ጎኑ ተዋጊኦም፡ እንተኾነ ግን ንቅሓት ኣብ ዕላማን ፖለቲካዊ ተመኩሮን ይጎድሎም ነይሩ። እዚ ሎሚ መዓልቲ ሰውራ ካብቲ ዝጅውዓሉ ዝነበረ መባእታዊ ንቕሓት ኣብ ዕላማታት ሓርነት፡ ናብ'ቲ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ሃገራዊ ትሕዝቶኡ ዝህነጸሉ ምቹእ መሰረት ክኸውን ዝኽእል ሃገራዊ ንቅሓት ዝተስጋገረሉ መዓልቲ ኢያ። (ነዛ ነጥቢ እዚኣ ከኣ ብፍላይ ኣብቲ ንመሪሕነት ሓምድ ዝምልከት ዓንቐጽ ክንርእያ ኢና።)

# 2. ህዝቢ ኤርትራ

ምውጻእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ምእዋጅ ዕጥቃዊ ቃልስን ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻኢ ን ዘበራብረ ደውል ኢዩ ነይሩ።ተበግሶ ሓምድ ብቁልጡፍ ንክዝርጋሕ ካብ ዝሓገዙ ረቛሒታት ካብቲ ቀዳመይቲ ዝወጸላ መዓልቲ ናቱ ምውጽእ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ምዃኑ ምእዋጁ ኢዩ። እዚ ሓቂ እዚ ከኣ ጸብጻባት ፖሊስ ዘረጋግጽዎ ኢዩ። እዚ'ዩ ከኣ ንሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዓቢ ሻቕሎት ሰለዝፈጠረሎምን ነቲ ተርእዮ ኣብ መጀመርታኡ እንከሎ ንምድምሳሱ ኩሉ ዝከኣሎም ኣገባባትን ሓይሊን ንክጥቀሙ ዘገደዶም።

ሓምድ ንሜዳ ቅድሚ ምውጽኡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማታት ዝነበር ዓቅሊ ጸበቱ ጥርዚ በጺሑ ነይሩ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝለዓል ዝነበረ ሕቶ ከኣ፡ እንታይ ይገበር? ዝብል ነይሩ። ሽውዓተ ዓመት ምሉእ ተመኩሮ ፈደራላዊ ሕብረትን ኩሉ ንኤርትራዊ መንነት ንምጥፋእ ዝካየድ ዝነበረ ተዋስኦታቱን ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ዝፍጸም ነይሩ። ህዝቢ ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ከተማታት ዝነበር ምሁር ክፍሊ ሕብረተሰብ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓድነት ኣርእዩ ኢዩ። ኢትዮጵያ እትወስዶ ዝነበረት ስጉምቲታት፡ ህዝቢ ከም መዓልታዊ ዜና ይዝርግሖ ነይሩ። ኢትዮጵያ ንወግዓዊ ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ሰሪዛቶ፣ ንጉስ ሃይለስለስ፡ ኤርትራ ናብ ኣደኣ ኢትዮጵያ ተመሊሳ፡ ክብል ተዛረቡ፣ ኢትዮጵያ ንባንዴራ ኤርትራ ኣውሪዳ፡ ተድላ ባይሩ ከምዝን ከምዝን ኢሉ ... ወዘተ ዝብል ዘረባታት ንኢትዮጵያ ዝድርኽ ዘሎ እቲ ንነዊሕ ግዜ ዝሓለመትሉ ባህጊታት ናይ ኤርትራ ምጉባጥ ጥራይ ከምዝኾነ ህዝቢ ኣጸቢቑ ተረዲእዎ። እዚ ከኣ ንቁጥዕኡ ዘንሃህር ምኽንያት ኮይንዎ።

እቶም ብኢትዮጵያውነቶም ዝምክሑን፡ ሃገሮም ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ዝተቓለሱን፡ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ኮይና ንክርእይዎ ብሃንቀውታ ዝጽበዩ ዝነበሩን ንናይ ምጽንባር ዕላማ ንምርግጋጽ ደም ኣሕዋቶም ዘፍሰሱን ውሑዳት ባእታታት፡ ኣብ ክሊ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ስጉምቲታት ካብ ስልጣኖም ከም ቆጽሊ ሓጋይ ክረግፉን ዝጀመሩ፡ በቲ ዝርእይዎ ዝነበሩ ናይ ኢትዮጵያ ስጉምትታት ዓቢ ሰንባደ ክሰፍኖም ኢዩ ጀሚሩ። ብዛዕባ እዞም ውሑዳት ባእታታት እዚኣቶም በታ ኢትይጵያ ትገብሮ ዝነበረት ዓቢ ጽፍዒትን ተስፋ ምቁራጽን ከም ዘጋጠሞም በቶም ናይ ቐረባ ኣዕርኽቶም ዝፍኖ እልቢ ዘይብሉ ዛንታታት ኣሎ።

ኣስመራ ሃገራዊ ስምዒታት ዝማዕበለላ ሕምብርቲ ኢያ ኮይና ነይራ። ነቲ ናይ ምጽንባር ጽምኢ ዝነበሮ ስርዓት ኢትዮጵያ ዓቢ ሽቕሎት ዝፈጠረ ናይ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ናይ ተቓውሞ ኣድማታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይባራዕ ነይሩ። እቲ ልዕሊ ኩሉ ንኢትዮጵያ ሻቅሎት ዝፈጠረላ ከኣ፡ ብዙሓት ካብቶም ንናይ ኤርትራ ምጽንባር ምስ ኢትዮጵያ ዝደገፉ ኣብ ቅድሚ ሰውራ ዕንቅፋት ዝነበሩን ባእታታት ናይ ተዓዛብነትን ዘይተገዳስነትን መርገጺ ምውሳዶምን እቶም ኢትዮጵያ እትኣስሮም ዝነበረት ደቆም ተማሃሮ ንምውጽእ ናይ መንጎኝነት ተራ ኣብ ምጽዋት ምሕጻሩን ኢዩ።

ከምዚ ኢሉ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1960 ኣብ ኤርትራ ምስ ተቖልቆለት መብዝሕትኡ ክፍሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምስ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ተጻብኦ መድረኽ ኢዩ ነይሩ፡ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ተቓውሞ ኣተሓሳስባታት ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝላዓለ ጸቕጢ ይገብር ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ከተማ ይኹን ኣብቲ ም.ሓ.ኤ. ክበጽሖ ዝኽኣለ ከባቢታት ዝነብር ናብ ዓወት

ንምብጻሕ ካብ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ተበጊሱ ኣብ መስርዕ ም.ሓ.ኤ. ክውድብን ንሓርነታዊ መትካላቱ ክኣምንን ጀሚሩ።

እንተኾነ ግን ድልውነት ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ንተቓውሞ ካብቲ ናይ መሪሕነት ሓረካ ድልውነት ዝዓበየ ሰለዝነበረ፡ ኣብ ውሽጢ ኣባላት'ቲ ውድብ ምስልቻው ከሰፋሕፋሕ፡ ብዛዕባ'ቲ ውድብን መሪሕነቱን እምነቱ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲን ብዝምልከት ሕቶታት ክላዓል ጀሚሩ።

ኣብ ከምዚ፡ ተቓውሞ ብኸመይ? ዝብል ሕቶ ኣብ ዝዓብለሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተባርዐ፡ ንሓቀኛ ድሌት እኳ ድኣ ንናይ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ መኸተ ስምዒትን ሰብእነትን ዝትከቱኽን ኮይኑ ኢዩ ተረኺቡ ክብሃል ይካኣል። በዚ ምኽንያት ከኣ ብቀዳምነት መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. ዝወደቡን ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ጨንፈራቱ ዘቖሙን ዝመርሕዎን ባዕላቶም ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ኢዮም ኮይኖም። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማታት ምጽዋዕ፡ ከረን፡ ኣቖርደት፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ፡ ጉሉጅን ኦምሓጀርን ጨንፈራት ም.ሓ.ኤ. ምስ ኩሎም ኣባላቶም ናብቲ ሓድሽ ውድብ ተሰጋጊሮም እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። እዞም ኣብ ውሽጣዊ ስርዒታት ሓረካ ዝነበሩ ቐዳሞት ተጋደልቲ ካብ መስርዕ “ሓረካ” ናብ መስርዕ “ጀብሃ” ክሰጋገሩ ከለው፡ መብዛሕትኦም ነቲ ናይ ቅድም ውድቦም ኮነ ኢልካ ናይ ምጥላም ስምዒት ኣይነበሮምን። እኳ ድኣ ቀንዴል ዕጥቃዊ ቃልሲ በሪሃ ንኽትቅጽል እቲ ዝደልይዎ ዝነበሩ ሰለዝረኸቡ ብምሉእ ዕግበት ኢዮም ዝሰጋገሩ ዝነበሩ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከባ ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ከምዕብላን ቁጽሪ ኣባላተን ክዛይድን ጀሚረን። እቶም ተበግሶ ዝወሰዱ ከኣ፡ ካብ ናይ ውድብ ም.ሓ.ኤ. ተመኩሮኦም ተበጊሶም በብሽውዓተ ዋህዮታት ከቑሙን፡ ብረትን ክዳውንትን መድሃኒትን ንምግዛእ ድማ ወፈያታት ክእክቡን ናይ ተቓውሞን ተስፋ ዓወትን መንፈስ ይዘርኡን፡ ነቲ ጋዜጣታት ኢትዮጵያን ሓላፍቱን ዝደጋግምዎ ዝነበሩ ዜናታት ሓሶት ከም ምኳኑ ንምቕላዕ ዜናታት ኵናትን ዓወታት ተጋደልትን ብዝተጋነነ መልክዕ ክዝርግሑን ተራእዮም።

ኣብ ገጠራት ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ተጋደልቲ ዝንቐሳቐሰሉን ኵናት ዘከይድሉን ዝነበሩ ጋሽን ባርካን መንእሰያት ብብሓደን ብክልተን ናብ ሜዳ ክሰለፉ ሰለዝጀመሩ፡ በዚ ዝተረበሸ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣንጻር ወላዲ ናይቶም ዝስለፉ መንእሰያት ሓያልን ጽኑዕን ስጉምቲታት ክወስድ ጀሚሩ፡ ነዚ ድማ ኣብ ዝቕጽል ገጻት ብዝርዝር ክንርእዩ ኢና።

በዚ መደይ'ዚ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ቀድም መስረታት ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሶማልን ዝነበሩ፡ ተ.ሓ.ኤ. ምስ ተመሰረተት ቀዳሞት ኣባላታ ዝኾኑ ኤርትራውያን ከኣ ወፈያታት ብምእካብን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቀዳሞት ሓሙሽተ ብረት ካብ የመን ንኽገዝእ ዝኽእለ ገንዘብ ኣኪቦም። ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ከኣ ኣብ ግንቦት 1962 ዓ.ም እቲ ብረት ናብ ሜዳ ኣትዩ።

ከምዚ ኢሉ ኣብ ከባቢ ክፍላ 1962 ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ተበግሶ ንምሕጋዝ ሓያል ጻዕሪ ዘካይዱን ንኤርትራውያን ናብ ሜዳ ንመስላፍ ዘጎስጉሱን ብዙሓት ጨንፈራት ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ሱዳንን ኣብ ስዑዲ ዓረብን ከተቅውም ኪኢላ።

# 3. ኢትዮጵያ

እንተ'ታ ንኩሉ ውዕላት ፌደራላዊ ሓድነት ብምግሃስ፡ ንናይ መጨርሽታ ምጽንባር ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ን'ኽእውጅ ኣብቲ ግዜ'ቲ ትደሎ ዝነበረት ኢትዮጵያ፡ ንናይ ሓምድ ዓዋተ ተቓውሞን ሰውራ ምእዋጁን ኣቃሊላ ኣይራኣየቶን። ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንፌደራላዊ ሓድነት ንምድምሳስ ኣብ ዘካየዱዎ ጻዕርታት ብርቱዕ ጸገም ከምዘጋጠሞም ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኣጸቢቆም ይፈልጡ ሰለዝነበሩ፡ ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ህላወ ም.ሓ.ኤን ተ.ሓ.ኤን ሰለዝፈልጡ ነቲ ተርእዮ ብኢጋኡ ንምቁጻዩ ኣብ ኩሉ ክጸሉ ይኽእል'ዩ ዝብልዎ መዳያት ብቅልጡፍ ተነቀሳቒሱ።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ካብ 1943 ክሳብ 1951 ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ንሰበ ስልጣን ኢትዮጵያን ኤርትራን ብዘይካ ኣብተን ንውጥናት ኢትዮጵያ ዘገልገለ ኣብ መንጎ በኒዓምርን ናራን ኩናማን ግርጭታት ዝተኸሰተለን እዋን እንተዘይኮይኑ ፖለቲካውን ጸጥታውን ሓደገኛነት ኣይነበሮን። እዞም ዝተጠቕሱ ክፍሊ ሕብረተሰብና ኣብቲ ፍረ ዘይነበሮ ውሽጣዊ ኵናት ተጻሚዶም ሰለዝነበሩ እቲ ሕድ ሕድ ኵናት ንመደባት ኢትዮጵያ ኣገልጊሉን ኣብቲ ኣብ ሃገር ዝኸይድ ዝነበረ ምዕባለታት ገሊልዎም ኢዩ ጸኒሑ። ብሓቂ ከኣ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ፖሊስ ኤርትራ ንሓምድን ብጾቱን ንምጥፋእ ብዙሕ ተገዳስነት የርእዮ ኣይነበሩን። ሓምድ'ውን ብወገኑ ንፖሊስ ኣብ ንቀጥታቶምን መዓሰከራቶምን ይከዶም ኣይነበረን።

ሕጂ ግን እቲ ኩነታት ፍጹም ተለዊጡ። እቲ ጉዳይ ንመልእ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ኮይኑ። ናይ ኤርትራውያን ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን መንነት ኤርትራ ንምጥፋእ ዝዓለመ ውጥናትን ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ከኣ ኢዩ መጺኡ።

ሕጂ እምበኣር ካብዚ ቀጺልና ኢትዮጵያ ክሳብ ሚያዝያ 1962 ዝተንቀሳቐሰትሉ መዳያትን ዝተኸተለቶ ኣገባባትን ክንርኢ ኢና።

***ኣብ ወተሃደራውን ፕሮፖጋንዳውን መዳይ***፡ እቲ ብስም መንግስቲ ኤርትራ ዝብሃል ዝነበረ፡ ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ሓምድ ***"ተቓውሞ"*** ምስ ሰምዐ፡ ነቲ ተርእዩ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምድምሳሱ፡ ንሓይሊ ፖሊስን ነቲ ከም ሱርዕ ሰራዊት ዝቑጸር ዝነበረ ሓይሊ ፊልድፎርስን መዚዙዎም። ነቲ ኣብ ባርካን ጋሽን ዝነበረ ሓይሊ ፖሊስ ከኣ ካብ ኣስመራ ተወሰኺ ሓይሊ ብምድራብ ኣደለዲሎምዎ። ብመሰረት'ቲ ዝተዋህቦ መዚ ድማ እቲ ሓይሊ ነቶም ካብ ***"ሕጊ ዝወጹ"*** ንምድምሳስ ለይትን መዓልትን ኣብ በረኻታት ይኸሉ ነይሮም። በቲ ዘካየድዎ ዘይቋርጽ ኮለላታት ድማ ኣብ ሓጺር ግዜ ምስ ኣሃዱታት ሰውራ ሓሙሽተ ውግኣት ከካይዱ ክኢሎም፡ ናይ መጨርሽታ ኵናት ከኣ ብ4 ሚያዝያ 1962 ዝተኻየደት ነይራ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ጽዑቅ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ከኣ፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ምስሊ ተጋደልቲ ንምድዋን ፍሉይ ተገዳስነት ብምሃብ ብመገዲ ወግዓዊ ጋዜጣ ***"ዘመን"*** ኣቢሎም ***"ካብ ሕጊ ዝወጹን" "ግብረሽበራውያንን"*** እናበሉ ክገልጽዎም ጀመሩ።

ብዛዕባ'ቲ ዝተኻየደ ውግኣት ድማ፡ ዋላ'ኳ ኮነ ኢሎም ሓበሬታታት ክሓብኡ ዝኽእሉ እንተኾኑ ምስ ኩሉ'ቲ ዘሎና ዕቓበታት ኣብቲ ጋዜጣ ***"ዘመን"*** ዝዘርግሓቶ ክንምርኮስ ኢና። እዚ ከኣ ንግብረ መልሰም በቲ ብልሳኖም ዝበልዎ ንምልካዕ ምእንቲ ክጥዕመና ኢዩ።

ብዓረበኛ እትሕተም ጋዜጣ ***"ዘመን"*** ዝዘርግሓቶ ቀዳማይ ዜና ብ26/9/1961 ኢዩ ነይሩ። እታ ጋዜጣ ዝዘርግሓቶ ዜና ብምልኡ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። ***"ሓምድ***

**እድሪስ ዓዋተ ዓሰርተ ዝልጓሙ (ኣብዓሸራ) ብረት ዓጢቑ ካልኦት ማንኪር ዝተባህለ ብረት ዝዓጠቑ 22 ዝኾኑ ሰባትን ገለ ብረት ዘይዓጠቑን ሒዙ ኣብ መንጎ ኣቑርደትን ኼሩን ኣብ ዝርከብ ከባቢታት "ካብ ሕጊ ወጺኦም" ይንቀሳቐሱ ከምዘለው ካብ ምምሕዳር ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ኣሰመራ ብዝረኸብናዮ ሓበሬታ ክንፈልጥ ክኢልና ኣሎና። እዚ ጉጅለ'ዚ ካብ ሕጊ ከም ዝወጸ ምስ ተፈልጠ ከኣ ብዝቐልጠፈ ንምሓዞም ዝኣክል ዕጥቂ ዝዓጠቑ ሓይሊ ፖሊስ ይከታተሎምን ይሃድኖምን ኣሎ። እዞም ጉጅለ እዚኦም ዓጢቆሞ ዘለው ብረት ናይ ቅድም ሰለዝኾነ ድማ ኣሲርካ ናብ ፍርዲ ንምቅራቦም ንዕማም ፖሊስ ዝቀለለ ገይሩዎ ኣሎ።"**

*እታ ጋዜጣ ምስ ተጋደልቲ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኵናት ዝዘርግሓቶ ኣብ ናይ ዕለት 26/10/1961 ሕታማ ኢዩ ነይሩ" ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ይብል።*

**"ኣብ ኮለላ ዝነበሩ ናይ ንቑጣ ባረንቱ ፖሊስ ካብ ሕጊ ዝወጹ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ሰዓብቱን ኣብ ዝሃድንሉ ዝነበሩ እዋን ኣብ ዝሓለፈ ሰሉስ 24/10/1961[31] ኣብ ጥቓ ኬሩ ኵናት ኣካይዶም ኣብቲ ኵናት ከኣ ንዓብዱ ፋይድ ክወግእዎን ክማርኽዎን ክኢሎም። 'ምንሽር' ዝዓይነታ ብረት ከኣ ምስኡ ረኺቦም። ከምኡውን ኣባላት ፖሊስ ንብረት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ምስ 43 ጤያይት ረኺቦሞው ኣለው። ዓብዱ ሙሓመድ ፋይድ 'ንኬሩ' እናተወሰደ እንከሎ ከኣ ኣብ መንገዲ ሞይቱ። ገና ኣባላት ፖሊስ ነቶም ዝሃደሙ ሸፋቱ ይከታታልዎም ኣለው።"**

*ኣብ ክልቲኡ ዜናታት ክልተ ትዕዝብቲታት ኣሎና።*

1. *እቲ ቀዳማይ ዜና፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ንምግላጽ ድሕሪ ብዙሕ ምውልዋል ዘውጽኡዎ ኢዩ ዝመስል። ምኽንያቱ ካብቲ ሓምድ ዝወጸሉን ቀዳማይ ኵናት ኣዳል ዝተኻየደሉን እዋን ኣመና ደንጉዩ ሰለዝተፈነወ። ዋላ'ኳ እቲ ዕለት ብልክዕ እንተ ዘይፈለጥናዮ፡ ሓምድ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኢዩ ወጺኡ። እዚ ከኣ ድሕሪ'ቲ ምስ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ብ2 ነሓሰ ዘካየዶ ርክብን ብሓባር ናብ ኣሰመራ ንኽኸዱ ብ15 መስከረም 1961 ናብ ኣቑርደት ከመጾካ እየ ዝበሎን እዋን ማለት ኢዩ። እታ* "**በረግ ሑመድ ኖራይ**" *ዝተማረኸላ ኵናት ኣዳል ድማ ብ1 መሰከረም ማለት እቲ ዜና ቅድሚ ምፍናው ብ25 መዓልታት ማለት ኢያ ተካይዳ ነይራ። እታ "በረግ" ዝተማረኸላ ኵናት ሓላፊ ፖሊስ ኣውራጃ ኣቑርደት ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ናይ ወርሒ ሚያዝያ 1962 ኣኸባታቱ ገሊጹዋ ነይሩ ኢዩ፡ ንሱ* **"ኣብ ቀዳማይ ኵናት ብፖሊስና ዝተማረኸ በረግ ኖራይ ኣብ ናይ ሸፍትነት ሂወት ንኽምለስ ዑመር ከራይ ከም ዝድፍኦ ተኣሚኑ ኣሎ።"** *ክብል ገሊጹ። በረግ ሑመድ ክሳብ ብሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ 1966 ብሞት ተፈሪዱ ዝሕነቕ ከኣ ካብ ዕላማኡ ፈልከት ከምዘይበለ ክንጠቕስ ኣገዳሲ'ዩ። ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ መጀመርታ ነቲ ተርእዩ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምድምሳሱ ሓሳብ ሰለዝነበሮም ብጋዜጣ ንከይዝርጋሕዎ ዝወሰኑ እዮም ዝመሰሉ። ክድምስስዎ ምስ ዘይክእሉ ደረጃ ምስ በጽሑን ተወሳኺቲ መንእሰያት እናተሰለፉ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ምስቲ ሰውራ እናተደናገጸን፡ ምናልባት እውን ኣብ ከተማ ዝነበር ህዝቢ ብዛዕባ'ቲ ተበግሶ ክግደስ ምስ ተዓዘቡን ግን ሓደገኛ ከምዝኾኖም ሰለዘስተውዓሉ ቅድሚ ምስፍሕፋሑ ንምቅላዑ ፖለቲካዊ ዘመተ ምኽያድ መሪጾም ክብሃል ይካኣል።*

2. **እቲ ኣብ ዜና ዝተጠቐሰ ካልኣይ ኵናት ዝተኻተደሉ ከባቢ "ኦማል" ኢዩ። ከምቲ ኣብቲ ዜና ተጠቒሱ ዘሎ ከኣ "ኦማል" ካብ ንቑጣ ኬሩ ርሕቕቲ ኣይኮነትን።**

---

[31] *ብወገነይ ካብ ነቲ በዝን በትን ዝቐርብ ተዋቃዒ ዕለታት፡ ነቲ ብኢትዮጵያ ቀሪቡ ዘሎ ዛዕባ ናይቲ ቀዳማይ ውግኣት ዕለት መሪጸ ኣሎኹ። ምኽንያቱ ኣብቲ ፍጻመ ዝተኻየደሉ ዕለት ይፍኖ ሰለዝነበረ።*

ልክዕ ኢዩ ዓብዱ ሙሓመድ ፋይድ ኣብዛ ኵናት እዚኣ ኢዩ ተሰዊኡ። ቀዳማይ ሰውእ ሰውራ ከኣ ኢዩ። ዓብዱ ወዲ ኣሙኡ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ እዩ። እንተ'ቲ ፖሊስ ኣብቲ ኵናት ብረት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሰሊቦም ዝብል ዜና ሓቅነት ዘይብሉ ኢዩ። ሓምድ ክሳብ ኣብ ሰነ 1962 ዓ.ም ዝስዋእ ብረቱ ምስኡ ከምዝነበረት ከኣ እቶም ዘርከብሉ ቀዳሞት ሓርበኛታት ዝመሰከርዎ ኢዩ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ ልዕሊ ኣንበብትን ህዝብን ብሓፈሻ ሰነ ኣእምራዊ ጽልዋ ንምሕዳር ኮነ ኢሎም ኣብቲ ዜና ዘእተውዎ እዩ ዝመስል። ምኽንያቱ ሓምድ ናይቲ ተበግሶ መራሒ ሰለዝነበረን፡ ሰባት ከኣ ብባህርያኦም ናይ መራሒኦም ዜና ብተገዳስነት ስለዝዝርግሑን ዝከታተሉን፡ ኣብ ልዕሊ መራሒኦም ገለ ነገር እንተ ድኣ ተፈጺሙ ከኣ ብኡኡ መጠን ብኣሉታ ሰለዝጽለው፡ ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ ነቲ ሓበሬታ ኣብቲ ዜና ዘእተውዎ ይመስል።

ካብዚ ቀጺልና ድማ ናይቲ ካልእ ውግኣት ጋዜጣ "ዘመን" ዝዘርግሓቶ ክንርኢ ኢና።

- ዝቐጸለ ኵናት ብ3/12/1961 ዝተኻየደ ሳልሳይ ኵናት ምዃኑ ኢዩ። ጋዜጣ ዘመን ኣብ ናይ ዕለት 6/12/1961 ሕታማ ዘርጊሓቶ።

ገለ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ንሓደ ወጻእተኛ ዝውንኖ ምስ ወረዳ ባረንቱ ዝተኣሳሰር ኣብ ጋሻ "**ጉርግጂ**" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዝርከብ ሕርሻ ኣዕንዮም ይብል እቲ ዜና። ኣባላት ፖሊስ ኣብቲ ቦታ ፍጻመ ምስ መጹ ከኣ፡ እቶም ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት "**ቃበት**" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ዱር ተሓቢኦም ምስ በለ ቀጺሉ እቲ ዜና፡

**"ፖሊስ ኣብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ቦታ ይመጽእዎም ከምዘለው ምስ ፈለጡ ድማ ተቐዳዲሞም ተኹሲ ብምኽፋት ንሓደ ኣደም ሙሓመድ ዝተባህለ ኣባል ፖሊስ ብጥይት ሃሪሞም። መውጋእቱ ብርቱዕ ሰለዝነበረ ድማ ሽዑ ንሽዑ ሂወት ሓሊፉ። ኣርባዕተ ብጾቱ ከኣ ቀሊል መውጋእቲ ወሪዱዎም። ፖሊስ ከኣ ብወገኖም ሙሓመድ ኤራ ሙሳ ንዝተባህለ ካብ ዓድ ኢብራሂም ቢንዓምራዊ 'ናታብ' ዝኾነ ብጥይት ወጊኦም ምስ 'ኣልቢኒ' ዝዓይነታ ብረቱ ምስ 45 ጠያይታን ማሪኾምዎ።"** ይብል።

ብዛዕባ'ዚ ዜና'ዚ ክልተ ትዕዝብቲታት ኽቕርብ ይኽእል ኢዩ።

1. ኣብቲ ዜና ተጠቒሱ ዘሎ ዋና'ቲ ሕርሻ ኣፍቲምዮ ፋንግራዲስ ዝተባህለ ግሪኻዊ ሓንፈጽ ኢዩ። ሰለምንታይ ተጋደልቲ ነቲ ስጉምቲ ወሲደምዎ ግን ክሳብ ሕጂ ኣየናዩ ኢዩ ሓቂ ገና ዘየረጋገጽናዮ ክልተ ሓበሬታታት ኣሎ።

ቀዳማይ፡- ሓደ ካብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ምስ ሓምድ ጽቡቕ ዝምድና ዝነበሮ ከም ዘረጋግጾ፡ ስንዮር ፋንግራዲስ ምስ ሓምድ ጽቡቕ ዝምድና ሰለዝነበሮ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ምእንቲ ከይጥርጠር ሓምድ ምስ ዋና ሕርሻ ብምስምማዕ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕርሻ ቀሊል ጉድኣት ከም ዘውረደ ይግለጽ።

ካልኣይ፡- ዋና ሕርሻ ነቲ ተጋደልቲ ዝወሰንሉ ግብሪ ምኽፋል ሰለዝነጸገ ንምቕጻዑ ዝተወሰደ ስጉምቲ ምዃኑ ይግለጽ።

2. ኣብቲ ኵናት ተወጊኡ ዝተማረኸ ሙሓመድ ኤራ ሙሳ ካብ መውጋእቱ ሓውዩ ነይሩ እንተኾነ ግን ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ 1966 ብሞት ቀጺዖምዎ።

- ራብዓይ ኵናት ብ10/1/1962 ኣብ "**ኣውሓ ኣልገደም**" ብ "**ኣዳር ሃንጀር**" እውን ዝፍለጥ ቦታ ኢዩ ተኻይዱ። ኣብቲ ኵናት "**ነቶም ካብ ሕጊ ዝወጹ ዝሃድና ዝነበራ ክልተ ናይ ኮለላ ጉጅለታት ፖሊስ ኣየን ተሳቲፈን።"** ናይቶም ተጋደልቲ ቁጽሪ 15 ከምዝበጽሕ ከኣ እቶም ፖሊስ ሓቢሮም። ብዛዕባ'ቲ ኵናት ጋዜጣ "**ዘመን**" ኣብ ናይ 11/1/1962 ሕታማ "**ክልተ ናይ ኮለላ ጉጅለታት ፖሊስ ምስ ካብ ሕጊ ዝወጹ ኣብ ዝገበርኦ ኵናት፡ ኣብራሂም ሙሓመድ ሰኒ ዝተባህለ ሽፋታ**

**ተቐቲሉ። ሳልሕ ሙሓመድ ሓሰን፡ ዑስማን እድሪስ ሓጅን ሙሳ ሙሓመድ ሙሳን ዝተባህሉ ሽፋቱ ከኣ ድሕሪ ምውግኦም ተማሪኾም። ካብ ፖሊስ ከኣ ሳልሕ ሙሓመድ ዝተባህለ ካብ ፖሊስ ኣውራጃ ኣቑርደት ምይቱ።"** እትብል ገሊጻ።

*ጋዜጣ "ዘመን" ደንጉያ ብዝረኸበቶ ሓበሬታ ኣብ ናይ* 19/1/1962 *ሕታማ ነቲ ብ*10/1/1962 *ምስ ፖሊስ ኵናት ዘካየደ ጉጅለ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ባዕሉ ይመርሖ ከም ዝነበረን፡ ኣብቲ ኵናት ኣብ ኢዱ ቀሊል መወጋእቲ ኣጋጢሙዎ ከምዝነበረን ትሕብር።*

*ጋዜጣ "ዘመን" ኣብ ናይ* 7/4/1962 *ሕታማ ዝዘርግሓቶ ሓምሻይ ኵናት ከኣ እቲ ኣብ "በላጊንዳ - ቢታማ" ዝተባህለ ምስ ወረዳ ተሰነይ ዝተኣሳሰረ ቦታ ብ*4/4/1962 *ዝተኻየደ ኵናት ኢዩ። ቀጺላ እታ ጋዜጣ* **"ኣብዚ ኵናት'ዚ ሓይሊ ፖሊስ ክልተ፡ ኣብራሂም ኣሕመድ ሕመድን ዓሊ ዳላብን ዝተባህሉ ካብ ሕጊ ዝወጹ ሽፋቱ ቀቲሉ። ምስ ኣብራሂም ኣሕመድ ሕመድ ከኣ ሓደ ነዊሕ ብረት ምስ** 37 **ጠያይቱ ተረኺቡ። ኣብዚ ኵናት'ዚ ካብ ሓይሊ እዚ ፖሊስ ሰምበል ዝኾነ ፖሊስ ኣደም ሓሰን ተሰዊኡ።"** ክትብል ገሊጻ።

*ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ዳግም ክነረጋግጾ እንደሊ ከኣ ክሳብ'ቲ ብ*4/4/1962 *ኣብ "ቢታማ" ዝተኻየደ ኲናት ብጠቅላላ ሐሙሽተ ውግኣት እምበር ከምቲ ጋዜጣ ኢትዮጵያ ነታ ቀዳማይቲ ኵናት ብምጉሳይ ኣርባዕተ ጥራይ ኣቅሪባቶ ዘላ ኣይኮነን። ነዚ ከኣ ሜጀር ኅይትኦም ገብረዝጊ ኣብቲ ብ*9/4/1962 *(ማለት ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ካብቲ ሓሙሻይ ኵናት) ኣብ ሃይኮታ ምስ ህዝቢ ዘካየዶ ቀዳማይ ኣኼባ ኣረጋጊጹዎ ኢዩ። ንሱ* **"ኣብዚ ዝሓለፈ ሸሞንተ ኣዋርሕ ሓምድ ናብ ሽፍትነት ዓለም ካብ ዝምለስ ማለት ሓሙሽተ ውግኣት ተኻይዱ። ኣስታት** 15 **ካብ ጉጅለ ሓምድ ከኣ ክንቐትልን ክንማርኽን ክኢልና ኣሎና።"** *ኢሉ።*

*ነዞም ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልስና ዝተኻየዱ ቀዳሞት ውግኣት ክንጠቅሶም ዝደለናሉ ምኽንያት፡ ቀዳማይ ንኣንባቢ ሃዋህው ናይቲ ኣጀማምራን ንተጋደልቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ ቀጻሊ ናይ ጸላኢ ሃድንን ከመይ ከምዝነበረ ንምፍላጥ፡ ካልኣይ ከኣ ኣገዳሲ'ዩ እንብሎ ገምጋማዊ ውጽኢት ንምርካብ ኢዩ። ሰለዚ እቲ ክንበጽሖ እንኽእል መደምደምታ እንታይ ኢዩ?*

**ቀዳማይ፡-** *ኩሉ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ኣብ ከባቢ ንቍጣታት ፖሊስ ጸላኢ ይፍጸም ከምዝነበረ ክንዕዘብ ንኽእል። እዚ ድማ ብኣጋጣሚ ዘይኮነ ብመደብ ይፍጸም ምንባሩ ዝሕብር ኢዩ። ምስ ጸላኢ ዝካየድ ግጥማት ወይ ምዝላቅ ኣብ ቅኑዕ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ምንቅስቓስ ጸላኢን ዓቕሙን ዝተመርኮሰ ምእንቲ ክኸውን፡ ከለሰ ሓሳባዊ ኣረኣእያ ሓምድ ኣብ ጥቓ ጸላኢ ምህላው ኣገዳሲ ምዃኑ ከም ዝጥምት ከኣ ንርዳእ። ሓምድ ነዚ ሜላ ኣብቲ ናይ ኣርብዓታት ተመኩሮኡ ዘማዕበሎ ኢዩ ድማ ክበሃል ይከኣል።*

**ካልኣይ፡-** *ከምኡውን ሓይሊ ፖሊስ ንጀመርቲ ሰውራ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምጽናቶም ኣብ ምድላዮም ዘካይዶ ዝነበረ ተኸታታሊ ሃድናትን ጽዑቕ ንጥፈታት ብኩሉ መኣዝናትን ክንዕዘብ ንክእል ኢና። ይኹን'ምበር ኣብቲ ዝጠቐስናዮ ዝተኻየደ ሓሙሽተ ውግኣት ሓይሊ ፖሊስ፡ ንተጋደልቲ ሰውራ ንሓደገኛ ጥፍኣት ዘቃልዕ ዓቢ ዓወት ከምዘይኣረጋገጸ'ውን ንዕዘብ።*

**ሳልሳይ፡-** *ተጋደልቲ ሰውራ ዓጢቆምዎ ዝነበሩ ብረታት ናይ ቀደም ምንባሩን እቲ ፖሊስ ሰሊቦምዎ ኢላ ጋዜጣ "ዘመን" ዝጠቐሰቶ ዓይነት ብረታት እውን፡ መብዝሕትኡ*

ግዜ ኣብ ግዜ ውግእ እናዓከሰ ንተጋደልቲ ግዳይ ምምራኽን መውጋእትን ዝገብሮም ዝነበረ ግዚኡ ዝሕለፈ ኣረጊት ብረታት ምንባሩ ክንዕዘብ ክኢልና።
**ራብዓይ፡-** ምስቲ ኩሉ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ዝነበረ ናይ ዕጥቂ ፍልልይ ኣብ ተጋደልቲ ዝወርድ ዝነበረ መጉዳእቲ ዓቢ ከምዘይነበረ እውን ተዓዚብና። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ ሓቅነቱ ክሳብ ክንደይ ምኾኑ ብዘየገድስ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ፖሊስ ዝወርድ ዝነበረ ማህሰይቲ ኣድማዒ ምንባሩ ሪኢና። ሜጀር ጎይትኦም ንናይ ክልቲኡ ወገን ክሳራታት ብኸምዚ ዝስዕብ ይግምግም። **“ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውግእ ሽፋቱ ካባና ሓደ ክቐትሉ ከለው፣ ንሕና ካብኦም ክልተ ንቐትል ኔርና።”** ይብል።
**ሓሙሻይ፡-** ምትሕብባር ህዝቢ ምስ ተጋደልቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ ከም ዝመጸ እውን ክንግምት ንኽእል ኢና። እዚ ናይ ህዝቢ ምትሕብባር’ዚ እንተዘይነብር ከኣ ተጋደልቲ ኣብ ከባቢ ንቀጥታት ጸላኢ ክንቀሳቐሱ ኣይምኻኣሉን ነይሮም።
**ሻዱሻይ፡-** ኣብ መጨርሽታ እምበኣር፡ ብሸነኽ ምብርካት ቁጽሪ ተጋደልቲ ይኹን፡ ወይ ንምእንቲ ህላወን ቐጻልነትን ናይ ውግእ ጥበብ ምምላኽ ዝተራእየ፡ እቲ ናይ ምቅጻል ዕድል ከም ዝዓበየ ዘመልክት ኢዩ። ተጋደልቲ ክሳብ ሚያዝያ 1962 ዝዓቐብዎ ቀንዲ ናይ ዓወት ረቛሒ ከኣ እዚ ኢዩ ነይሩ።

**ኣብ ህዝባዊ መዳይ፣** ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ሓምድ ካብታ መጀመርታ ንሜዳ ዝወጸላ ዕለት ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ዓቢ ሻቅሎት ኢዮም ተሸሚሞም። እዚ ሻቅሎት’ዚ ድማ ከምቲ ብጋዜጣታቶም ዝብልዎ ወይ ሓላፍቶም ኣብ ጋሻን ባርካን ንህዝቢ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባታት ዝተዘረብዎ፡ ሓምድ ኣብ ምዝማት ንብረት ህዝቢ፡ ወይ ድማ ንረብሓ ሓደ ቀቢላ ኣንጻር ካልእ ቀቢላ ናይ ሽፍትነትን ግብረ ሸበራን ተግባራት ከየካይድ ካብ ዘለዎም ስግኣት ዝብገስ ኣይነበረን። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ንሱ እንተዝኸውን ነይሩ፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣንጻርቶም ሓምድ ቅድሚ ምውጽኡ ኣብ በረኻ ኮይኖም ጥሪት ህዝቢ ዝዘምቱን ጸጥታ ናይቲ ከባቢ ዝህውኹን ዝነበሩ ሽፋቱ ወተሃደራውን ፕሮፖጋንዳውን ዘመተ መካየዱ ነይሮም።

ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንሰውራ ኣብተን ቀዳምት ኣዋርሕ ንምጽናት ዝገበርዎ ጻዕሪ ከምዝፈሸለ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ብሩህ ምስ ኮነሎም ፍሉይ ኣቃልቦኦም ዝሃብሉ መዳይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ምንቅሳቓስ ኢዩ ነይሩ።

ኣብዚ መዳይ’ዚ ነቲ ንጥፈታት ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣሕመድ ሓሰኖ ዘይኮነስ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ኣውራጃ ሜጀር ጎይትኦም ገብረዝጊ ብኣመሓዳሪ ኣውራጃ ተሰንዩ ኢዩ ዘካየዶ።

እዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ መዝገብ ኣኼባታት ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተዳለወ ኮይኑ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝጠቐስናዮ ኣብ ሃይኮታ፡ ባረንቱ፡ ኬሩን ኣውሓን ካብ 9-14/4/1962 ናይ ዝተኻየደ ኣርባዕተ ኣኼባታት ደቃይቅ የጠቓልል።

ካብቲ 18 ገጽ ዘለዎ መዝገብ ኣኼባ ተጠቂሱ ዘሎ ንዓና ዘገድሰና ክልተ ጉዳይ ኢዩ። ቀዳማይ፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንጉዳይ ምውጻእ ሓምድ ናብ ሜዳ ንህዝቢ ብኸመይ ገሊጸምሉ? ካልኣይ፡ ህዝቢ ንትእዛዛቶም እንተዘይተማእዚዙ ከ እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ ክውርድሉ ምዃኖም ሓቢሮም?

ብዛዕባ’ዛን ክልተ ሕቶታት ከኣ፡ ብኣፍ ናይቲ ተራኡ ንኣዛዚ ፖሊስ ኣብ ምቅራብ ጥራይ ተወሲኑ ዝነበረ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ መልሲ ክንረክብ ሰለዘይንክእል፡ ነቲ ኣዛዚ ከመይ የቕርቦ ከምዝነበረ ክንጠቅስ ንፈቱ።

ኣብ ኣርባዕቲኡ ኣኼባታት ከምዝደጋገሞ ንሱ **“ኣብዚ ወረዳ ናይ ሽፋቱ ንጥፈታት ካብ ዝርኣ ክሳብ ሕጂ ሸሞንተ ኣዋርሕ ሓሊፉ ኣሎ። እዚ ኣኼባ’ዚ ብጠለብ**

ኣዛዚ ፖሊስ ኣውራጃ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ተሰነይን ባረንቱን ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳይን ሚኒስተር ሕግን ፍትሕን ዝተሳተፍዎ ኣኼባታት ኣካይድና ኔርና። ምስ ፖሊስ ብዛዕባ ክትገብርዎ ዘለኩም ዝለዓለ ምትሕብባር ድማ ተመያይጥና። ናታትኩም ምትሕብባር ካብ ቅድም ነይሩ እንተዝኸውን ከኣ ነዞም ሽፉቱ ኣጥፊእናዮም ምሃለና። ሕጂ ግን ብዛዕባ ሽፉቱን ንጥፈታቶምን ሰፊሕን ኣዕጋቢን መግለጺ ንኸህበኩም ንሜጀር ጎይትኦም ገብረዝጊ ዕድል ክህቦ እየ።"[32] ይብል።

ሜጀር ጎይቶኦም ገብረዝጊ ከ ንክልቲኣን ሕቶታትና ብኸመይ ክመልሶ ኢዩ?

ካብ መዝገብ እቲ ኣኼባታት ብዝረኸብናዮ መሰረት ንቀዳማይ ሕቶ ዝሃቦ መልሲ በዚ ዝስዕብ ነጥብታት ጻሚቑና ከነቕርቦ ንኽእል።

- "ከምቲ እትፈልጥዎ ቅድም ሓምድ መራሒ ሽፉቱ ኢዩ ነይሩ። ንሰበ ስልጣን ብረጣንያ ኢዱ ምስ ሃበ ከኣ፡ ኣብ ገርሰት ንብሱን ጥሪቱን ንምሕላው ኣርባዕተ ብረት ተዋሂቡዎ። ድሕሪ ገለ እዋናት ድማ ኣብ ገርሰት ሽቃ ንኽምዘዝ ናብ ስበ ስልጣን ጠለብ ኣቕሪቡ ነይሩ። ጠለቡ ምስ ተነጽገ ድማ ንተጻዋዕቲ ቀቢላታት (ናዝራት) ንምንጻግ ጠለቡ ከም ጠንቂ ገይሩ ኣቕሪቦም።"
- "ኣብዚ መድረኽዚ ከኣ ሓምድ ናብ ናይ ሽፍትነት ሂወት ክምለስ ይደሊ ከም ዘሎ መንግስቲ ክርዳእ ክኢሉ። ሰለዚ ከኣ ንኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት ኣማሓዳሪ ወረዳ ተሰነይን ኣዛዚ ፖሊስ ናይቲ ወርዳን ልኣኸሉ። ኣብ ገርሰት ረኺቦም ከኣ ብዛዕባ ናብ ናይ ሽፍትነት ሂወት ንምምላስ መደብ ከመዘለዎ ዝስማዕ ዘሎ ዘረባታት ተመያይጦምዎ። እንተኾነ ግን ሓምድ ነቲ ኣበሃህላ ብምንጻግ መንግስቲ ክኣስሮ ይደሊ ከምዘሎ ተዛሪቡ። ኣብቲ ርክብ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ምስኡ ናብ ኣስመራ ክኸይድ ምስ ሓተቶ ድማ ኣብ ናይ ሕርሻ ስራሕ ተጸሚዱ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ባዕሉ ክመጾ ምዃኑ ቃል ኣተወሉ። ይኹን'ምበር ኣብ ክንዲ ቃሉ ዝኽብር፡ ነቲ መንግስቲ ዘፍቐደሉ ኣርባዕተ ብረት ሒዙ ናይ ሽፍትነት ስራሕ ንምክያድ ናብቶም ባዕሉ ዘቆሞም ጉጅለ ሽፉቱ ተጸንቢሩ።"
- "ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ዝተዘምታ ጥሪት ራሻይዳ ምስ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብምስምማዕ ከም ዝተፈጸመ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ክረጋግጹ ክኢሎም። ሓምድ ነዚ ምስ ሰምዐ ከኣ ከይእሰር ሰለዝፈርሐ፡ ኣብ ክንዲ ዝተረፈ ሂወቱ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሕልፎ፡ ናብ ናይ ሽፍትነት ሂወት ክምለስ ወሲኑ።"
- "ናብ 'ጉርጉጂ' ከይዱ ድማ ንነበርቲ'ቲ ዓዲ ኣኽባ ብምክያድ ንሕና ሽፉቱ ዘይኮናስ፡ ነቲ ብወጻእተኛታት ተጎቢጡ ዘሎ መሬትናን ባንዴራናን ንምምላስ እንቃለስ ዘሎና ሰራዊት ሓርነት ኢና ኢሎዎም። ህዝቢ ንዘረባኡ ኣሚኖም ከም መርኣያ ሓጎሶም ላም ሓሪደሙሉ። ሓምድ ሓቅነት ናይቲ ዝበሎ ንምርግጋጽ ድማ፡ ኣብቲ ዓዲ ዝቕመጥ ዝነበረ ኣውፋሪ ስንዮር ሲልቪዩ ኣቪሳኒ ጸዊዑ፡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ሕርሻኡ ገዲፉ ክኸይድ ኣዘዞ።" ይብል።

ከምኡውን ነቲ ካልኣይ ሕቶ ዝሃቦ መልሲ በዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ነቕርቦ።

- "ኣብዚ ዝሓለፈ ሽሞንተ ኣዋርሕ መብዛሕትኹም ንናይ ሓምድን ስዓብቱን ምድንጋር ትኣምንዎ ኔርኩም። ብዙሕ ግዜ ናይ ሽፉቱ ምንቅስቓስ ንፖሊስ ካብ ምሕባር ተቆጢብኩም ኢኹም። ከምቲ ኣብ ካልእ ቦታታት ዝተራኣየ ንሽፉቱ ተዎግእዎም ኣይንብለኩምን ኢና። ኩልኹም ከም እትፈልጥዎ ፓርላማ ኤርትራ ዘጽደቆ ንጸጥታዊ ጉዳይ ዝምልከት ኣዋጅ ቁ 1/55 ኣሎ። ብመሰረት

[32]ቀዳማይ ኣኼባ ብ9/4/1962 ኣብ ሃይኮታ ኢዩ ተኻይዱ፡ ብመሰረት መዝገብ ናይቲ ኣኼባ ከኣ 500 ሰባት ተሰቲፎምዎ ካብ መንጎኦም ሰበ ስልጣን መንግስቲ ተጻዋዕቲ ቀቢላታትን ወክለቶምን ነይሮም።

እዚ ኣዋጅ'ዚ ከኣ ፖሊስ ንዝኾነ ብጸጥታዊ ጉዳይ ዝጥርጠር ሰብ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ክኣስሮ ስልጣን ኣለዎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሸሞንተ ኣዋርሕ እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብቶም ስድራቤት ሽፋቱ ጥራይ ኢዩ ተወሲኑ ጸኒሑ። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ሽፋቱ ሓበሬታ ምስ ዝሓብእ ወይ ነገራውን ሞራላውን ሓገዝ ምስ ዘበርክተሎም ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ክእሰር ምዃኑ እግልጸልኩምን ኣጠንቅቐኩምን ኣሎኹ።"

"መንግስቲ ንንኣሽቱ ዓዲታት ኣብ ሓንቲ ዓባይ ዓዲ ክጥርንፈን ወሲኑ ኣሎ። ጸጥታዊ ርግኣት ክሳብ ዝረጋጋጽ ከኣ ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.1/55 ክንሰርሕ ኢና።"

ብሸነኽ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ኢትዮጵያ ንፖለቲካዊ ኩነታት፡ ብፍላይ ከኣ፡ ምዕባለ ሃገራዊ ተቓውሞን ኣንፈታቱን ብደቂቕ ትከታተሎ ሰለዝነበረት፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ድሕሪ ምብራዑ ነቲ ተርእዮ ኣቃሊላ ኣይርኣየቶን። ኣብ ወተሃደራውን ፕሮፓጋንዳውን ስጉምቲታትን ነቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ናብ ተቓወምቲ ዝዛዘወ ህዝባዊ ጽግዒ ኣብ ምቁጽጻርን ጥራይ ከይትርሓጽረት ናብቶም ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ሰለስተ ፖለቲካውያን መራሕቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ወልዳኣብ ወልደማርያምን ኣብራሂም ሱልጣንን ብምትኳር ኣዕጊባ ናብ ኤርትራ ንምምላሶም ዝዓለመ ውጥን ኣዳለወት።

ሰለስቲኦም መርሕቲ ኣብ ካይሮ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ ዝካይድዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ምልላይ ንሃገራዊ ጉዳዩምን ንኢትዮጵያ ሰውር ኣይነበረን። ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመታት ንንጥፈታቶም ክዝክር ዝኽእል ኣቃልቦ ሂባትሉ ኣይነበረትን። ምናልባት እቲ ናይ ኢትዮጵያ ዘይምግዳስ፡ ብወገን'ቶም መራሕቲ ዝካየድ ናይ ሓባር ስራሕን ምቛም ኣድማዒ ፖለቲካዊ ውድብን ዘይምንባሩን ምሉእ ግዚኦም ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ዘይምውዓሎምን ሰለዘስተብሃለት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓባር ስራሕ ንኽይካይዱ ዕንቅፋት ኮይኑ ዝነበረ ፍልልያቶም እውን ኢትዮጵያ ኣይትፈልጦን ነይራ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።

ይኹን'ምበር ኣብ ውሽጢ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተባርዐ ኣጠማምታ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኦም ተቐይሩ ኢዩ።

ንጉስ ሃይለስለሰ፡ ንሰለስቲኦም መራሕቲ ንምስዳዕን ንዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ፖለቲካዊ መሪሕነቱ ንምሕራምን ብኣካል ምስ ሰለስተ ውልቀሰባት ነቶም ሰለስተ መራሕቲ ብመሰረት ዝግበረሎም ሕድገታት፡ ናብ ሃገሮም ኣብ ምምላስ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም ዝበሎም ኣኸባ ኣካየደ። እቶም ሰለስተ ሰባት ከኣ ኣደም ሙሓመድ ኣደም (ሓው ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም) ሓምድ ሱልጣን (ሓው ንኣብራሂም ሱልጣን) ሓደ ከኣ ናይጆርያዊ ዝመበቆሉ ካብ ፍሉጣት ነበርቲ ከተማ ኣቑርደት ዝኾነ ሓጅ ኣቡበከር ኣብራሂም ኢዮም ነይሮም።

ኣብቲ ርክብ ኣሕዋት ናይቶም ክልተ መራሕቲ ብዛዕባ ንጥፈታት ኣሕዋቶም ዝፈልጥዎ ነገር ከምዘይብሎም ብምሕባር፡ ዝኾነ ይኹን ተራ ከጻወቱ ከምዘይክኣሉ ሓበሩ። ሓጅ ኣቡበከር ግን ናብ ሱዳንን ግብጺን ብምካድ ነቶም መራሕቲ ክረክብ ፍቃደኛ ምዃኑ ገለጸ። ብልክዕ ከኣ ሓጅ ኣቡበከር ኣብ ከባቢ ጥቅምቲ 1961 ናብ ሱዳን ብምኻድ ምስ ብዙሓት ኣብ ፖለቲካ ዝነጥፉ ኤርትራውያን ተራኸበ። ናብ ግብጺ ብምኻድ ከኣ ምስ ኣብራሂም ሱልጣንን ወልደኣብ ወልደማርያምን ተራኺበ።

ኣብ ከተማ ኣቑርደት ናይ ሸሒር ተግባራት ብምክያዱ ዝፍለጥ ሕጅ ኣቡበከር፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ምስጢራዊ ስራሕ ዘይበቅዕ ሰብ ኢዩ። ብመሰረት ሞያ ሰርሑ ልቢ ሰብ ምስላብን ርኣዩኒን ዝለመደ ሰብ ብምዃኑ፡ ብዘይ ኣፍልጦን ከይተረድኦን ወረኡ ዝቅድሞ ሰብ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ርክባቱ ቅድሚ ምፍጻሙ ይቃላዕ ነይሩ። ተግባራቱ

ድማ ንድሌቱ ዘኸሽሕ ኢዩ ዝነበረ። ኤርትራውያን ተቓውሞ እንተድኣ ደው ኣቢሎምዎ ንጉስ ሃይለስላሰ ንፌደረሽን ክመልሶ ኢዩ፡ ንፖለቲካውያን መራሕቲ ናብ ሃገሮም ንምምላስ ኣየር ትኬት ሒዘሎም ኣሎ'ኹ፡ ምስ እገለ ተራ'ኺብ ከምዝን ከምትን ኢሉኒ … ወዘተ ክብል ከምዝተዛረበ ከኣ ብቀጻሊ ይውረየሉ ነይሩ።

ሐጅ ኣቡበከር ኣብቲ ዝወሰዶ ተበግሶ ዝኾነ ይኹን ውጽኢት ኣይረኸበን። ኩሉ ምስኡ ዝተራኸበ ከኣ ርሒቑዎ። መደባቱ ክዕውተሉ ዝኽኣል ዝኾነ ይኹን መእተዊ ወይ ነቓዕ እውን ኣይረኸበን።

ኢትዮጵያ ኣብዚ ግንባር'ዚ እውን እንተኾነ ፍሽለት ሰለዘጋጠማ ዕላማኣ ክተረጋግጽ ኣይከኣለትን። ምናልባት'ውን እቲ ኣብ ወጻኢ ዘጋጠማ ፍሽለት ምስቲ ብኣጋኡ ክትቆጽዩ ዘይከኣለት ኣብ ውሽጢ ዝጀመረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምትእስሳር ከምዘለዎን፡ ንሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብ ምኽሳብ ዘጋጠማ ፍሽለት ድማ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ምዕባይ ዕድል ከምዝህብ ገሚታ ክትከውን ትክእል ኢያ።

ሐጅ ኣቡበከር ኣብራሂም፡ ነቲ ኣብዚ ዕማም'ዚ ዝመዘዞ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣፍሽልዎ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ካይሮ ዝፈጸሞ ምንቅስቓስን ምስ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኣብራሂም ሱልጣንን ዘካየዶ ርክባትን ግን ገለ ውጽኢት ንረብሓ ኢትዮጵያ ኣረጋጊጹ ኢዩ። እዚ ከኣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ርክቦም ምስ ወልድኣብን ኣብራሂም ሱልጣንን ንምብታኽ ነቲ ፍጻመ ምምዝማዞም ኢዩ። ብድሕሪ'ዚ ከኣ ኣብ መንጎኦም ዝኾነ ይኹን ናይ ሓባር ስራሕ ወይ ድማ ምቅርራብ ኣይርኣናን ኣይስማዕናን። ብዝኾነ ግን ኣብ መንጎ ሰለስቲኦም መራሕቲ ዘይምትእምማን ካብ ቅድም ዝጸነሓ ኢዩ። ናብቲ ምስ ደረጃኦምን ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎም ቦታን ዘይሰነ ነንሕድሕዶም ዝወናጀልሉ ቁርቁስቶም ከይንኣቱ መሪጽና ኣሎና።

ይኹን'ምበር እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ካብ ምንታይ ተበጊሱ'ኳ ንፈልጦ እንተዘይብልና፡ ኢብራሂም ሱልጣንን ወልደኣብ ወልደማርያምን ነቲ ሓጅ ኣቡበከር ሒዙዎ ዝመጸ እማመ ከም ዝተቐበሉ ገይሩ ናብ ዓርኩ ዑስማን ሳልሕ ሳበ መልእኽቲ ሰደደ። (መልእኽቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዋላ'ኳ ክንረክባ እንተዘይከኣልና፡ በቲ ዑስማን ሳበ ብ7/11/1961 ዝሃቦ መልሲ ግን ትሕዝቶኡ ክንፈልጦ ንክእል ኢና)

ዑስማን ኣብ መልእኽቱ፡ "**እቦ መንበር ሓሰውቲ ሃይለስላስሰ፡ እቶም ብዛዕባ ንጥፈታትኩም ከም ዘይፈልጡ ዝገለጹ ሓውኻን ሓው ኣብራሂም ሱልጣንን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣኼባ ንኣቡበከር ዝተባህለ ሓደ ሓሳዊ ናይጀርያዊ ውልቃሰብ ከም ዝለኣኸ ካብ መልእኽትኻ ክፈልጥ ክኢለ ኣሎኹ። ኣብ ትሕቲ ጉልባብ ምርድዳእ ሕልና ንምርካስ ከም ዝተላእከ እውን ፈሊጠ። ብመሰል ህዝቢ ኤርትራ ዋጋ ዕዳጋ ንምግባር ከኣ'ዩ ዕላማኦም። ወልደኣብን ሱልጣንን ምስቲ ሓሳዊ ተኹራር ኣብቲ ውዲት ተስማሚዖም ከም ዘለውን ንውዲታቶም ከም ዘፍሽልካዮን ኣብ ቅድሚ ሰባት ከምዘቃላዕካዮን እውን ክፈልጥ ክኢለ ኣሎኹ።**" ይብል።

ቀጺሉ ዑስማን ካብ መልእኽቲ እድሪስ ሓደ ሕጡብ ብምውሳድ ዘረባኡ ወሲኹ "**እቲ ብሉጽን ሓያልን ቃላትካ ከም ደወል ገና ኣብ እዝነይ ይድውል ኣሎ። (ኣነ ትግባረ ፌደረሽን ንምልማን ወይ ከም ናይ ወልደኣብን ሱልጣንን ዝኣመሰለ ሕሱርን ካብ ሃገራውነትን ካብቲ ኣብ ምሉእ ናጽነት ዘትከለ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራን ዝረሓቐ ፕሮጀክት ንኽቕርብ ኣይኮንኩን ካብ ሃገረይ ዝወጻእኩ። ንሙሉእ ናጽነት ዝኾነ መሰረታዊ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ካልእ መተካእታ ዝቕበል ኣይኮነን)**" ክብል ጽሒፉ።

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ኣብዚ ጉዳይ ፌደረሽን ቐሪቡ ከምዝነበረን ኣብራሂም ሱልጣንን ወልድኣብ ወልደማርያምን ትሕቲ ናጽነት ዝኾነ እማመ ከምዘቕረቡን ኣምሲሉ'ዩ ተዛሪቡ። ክልቲኡ ጉዳይ ግን መርትየ ዘይብሉ ክስታት ኢዩ። ንገስ ሃይለ ስላሰ ኣብቲ እዋን'ቲ ኩሉ ኣቓልበኡን ኣትኩሮኡን ንኤርትራ ፍጹም ንምጽንባር ሰለዝነበረ፡ ነቲ ድሮ ኣፍሪሱዎ ዝነበረ ፌደረሽን እንደገና ይመልሶ ኢዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ከምኡውን ወልደኣብን ኣብራሂምን ኣብ ምሉእ ናጽነት ኤርትራ ካብ ናይ እድሪስን ዑስማንን ዝትሕት ባህጊ ኣይነበሮምን። ካብቶም ኣብቲ እዋን'ቲ እዚ ኩነታት እዚ ዝተኻታተሉ ተማሃሮ ካይሮ እውን ወልድኣብን ሱልጣንን ምስ ሓጅ ኣበብከር ብምርኻቦም ዝጠራጠር ዋላ ሓደ ተማሃራይ ኣይረኸብናን። ከምኡውን እቲ ብድሕሪኡ ዝመጸ ምዕባለታት ንኸምኡ ዓይነት ክሲ ዝዕድም ኣይነበረን።

# 4. መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ

እቲ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ዘጣጥሕን፡ ነቲ ተበግሶ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንኸመርሖ ዘዳልዎን ዝነበረ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ፡ ዝወጻሉ ግዜ ብዝምልከት ምስኡ ኣብ ስምምዕ ሰለዘይበጽሐ ምውጽኡ ሃንደበት ካብ ኮኖ፡ ሃንደበትነት መሪሕነት ም.ሓ.ኤ ዝዓበየ ክኸውንን እቲ ምዕባለ ናብ ቅልጡፍ መልስ ተግባር ክዕድሞን ባህሪያዊ ኢዩ ዝነበረ።

እቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ንመልስ ተግባር መሪሕነት ሓረካን ኣካያይዳኡን ዝገዝኡ ዝነበሩ ረቛሒታት ኣብ ክልተ ከነጠቓልሎ ንክእል ኢና።

**ቀዳማይ፡** እቶም፡ ካብ ውሽጢ ኣባላቱን ወጻኢ.ን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመሩ ምስኡ ድሕሪ ምብታኾምን ክሲታት ምልውዋጦምን ፖለቲካዊ ተጻባእቱ ኢዮም ነይሮም። እዚ ድማ መጻኢ ዝምድናታት ክልቲኡ ውድባት ብጽቡቕ ንከይምዕብል ዝዕንቅፍ ሮቃሒ ኢዩ ነይሩ።

**ካልኣይ፡** ካብቲ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ካብ ቅድሚ ሓምድ ጀሚሮም ጭርሖ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘልዓልሉ እዋን መሰረታቱ ናብ ምርጫ ዕጥቃዊ ቃልሲ የዘንብሉ ከምዝነበሩ ይዕዘብ ነይሩ ኢዩ። እቶም ኣብ ከተማታት ሱዳን **"ንሕና ዋናታት ብረት ኢና፡ ንጸላኢና ኣብ ሜዳ ዓውድ ውግእ ብኸመይ ንዋግኦ ንፈልጥ ኢና።"** እናበሉ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ጎስጓስ ዘካይዱ ዝነበሩ ከምኒ ጣህር ሳልም ኣቡጥያራን ዑመር እዛዝን ፍሉጣት ወተሃደራት ብተኣመራታዊ መልክዕ ንናይ ሓፋሽ ኣተሓሳስባን እምነት ብምልዋጥ ናብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ከምዝውደቡን ንመትከል ዕጥቃዊ ቃልሲ ብዝላዓለ ስምዒት ከምዝድግፉን ገይሮም ኢዮም። ካብዚ ንላዕሊ ከኣ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ኣወንታዊ ሰራሕ ክርኢ ጽምኣት ከምዝነበሮ ይፍልጥ ነይሩ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተኣወጀ ኣብ ውሽጢ ዝነበሩ ጨንፈራት ሓረካ ብቐጥታ ናብቲ ሓድሽ ውድብ ኢዮም ተጸንቢሮም። እዚ ኩሉ ከኣ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ መሰረታቱ ጠንጢኖምዎ ክኸዱን ነቲ ባዕሉ ዝሰኣሎ ሓርነታዊ ፕሮግራም ኣብ ክትግብረሉ ዘይክእልን ሓድሽ መድረኽ ከምዝበጽሓ ኢዩ ዝሕብር።

መሪሕነት "ሓረካ" ካብዘን ክልተ ረቛሒታት ተበጊሱ ኣብቲ ፍጻሜ ምርባሽ ብዝመልኦን ሚዛን ብዝጎደሎን ኢዩ ተዎሲኡ። ነዚ ዝበልናዮ ዘረጋግጽ መሪሕነት ሓረካ ዝወሰዶ ክልተ ኣገዳስቲ ስጉምቲታት ከጥቐስ ይከኣል።

**ቀዳማይ፡-** መሪሕነት ሓረካ ብ15/11/1961 ኣዋጅ ኣውጽኣ። ምእንቲ ብምቁርራጹ ገለ ጉድለታት ከይርከብ፡ ከም ዘለዎ ከነቕርቦ ኢና።

***“ጉዳይ ሽፍታ ኣብዚ መጨረሽታ እዋን ንህዝቢ ኤርትራ ኣሻቒሉ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣባላት ሓረካ ከም ኣካል ህዝቢ ኤርትራ መጠን ብዛዕባ ጉዳይ ሽፍታ ክፈልጡ ከምዝደልዩ ከኣ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከምኡውን መርገጺ ም.ሓ.ኤ. ኣብዚ ጉዳይ'ዚን ናይ ሽፋቱ ንጎቦታት ምውጻእ ቊምነገርን ክፈልጡ ይደልዩ ኢዮም። ብቐዳምነት ነዞም ዜጋታት እዚኣቶም ዘንቀሳቐሰ ዕላማ፣ ንሃገር ምክልኻል ሰለዝኾነ ቅዱስ ዕላማ ምዃኑ ናይ ግድን ክንስማማዕ ኣሎና። ንሕና ከኣ ነዚ ስምዒት'ዚ ሚዛን ንህቦ ኢና። እንተኾነ ግን ዝተኸተልዎ ኣገባብ ቅኑዕ ኣይነበረን። ንሓና ንዓታቶም ኣይንወቅስን ኢና። ዝሕመዩ እቶም ብረት መጺኡ ኣሎ እናበሉ ዘደናገርዎምን ዘተዓሻሸውዎምን መጣቓዕቲ ኢዮም። ከምኡ ሰለዝበልዎም ከኣ ነፍሶም ከይወደቡ፣ ናይ ቐረባን ርሑቕን ዕላማታቶም ከየነጻሩን ብኸመይ ናብ ዕላማኦም ይበጽሑ ከይፈለጡን ብተሃዋኺ ወጺኦም። እቲ ሓቂ እዚ ኮይኑ፣ ክንሓሚ ወይ ክንጥዓስ ግዜ ስለዘየፍቅድ፣ ነዚ ጉዳይ'ዚ ቅኑዕ ፍታሕ ክንገብረሉ ኣወንታውያን ክንከውንን ግብራዊ ስጉምትታት ክንወስድን ኣሎና። ምውጽእ ናይዞም ተጋደልቲ ናብ ሜዳ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ምብርባር ፈጢሩ ኢዩ። ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ነዚ ሃገራዊ ምንቅስቓስ'ዚ ዝድግፍ ርኡይ ስምዒት ማዕቢሉ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ህዝብና ቅድሚ ሕጂ ባንዴራ ኤርትራ ሒዞም ንናጽነት ሃገሮም ዝቃለሱ ሰውራውያን ርኣዩ ኣይፈልጥን ኢዩ። እንተኾነ ግን ዝዘምቱን ዝሰረቑን ዝቐትሉን ሽፋቱ ይፈልጥ ኢዩ። ምብርባር ህዝቢ ኤርትራን ምውጻእ ተጋዳልቲ ንሜዳ ውጽኢት ናይዚ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝተኻየደ ቀጻሊ ስርሓት ሓረካ ምዃኑ ከኣ ንፍልጥ ኢና። ምብርባር ናይ ህዝቢ ሓላፍነትና ሰለዝኾነ ናይ ታዓዘብነት መርገጺ ወጊድና ነቲ ህዝብን መሪሕነቱን ኽንከላኸለሉ ጉብእና ኢዩ።***

***በዚ መሰረት፣ መሪሕነት ሓረካ ነዚ ጉዳይ ድሕሪ ምጽናዕ፣ ነዞም ሰውራውያን እዚኣቶም ዝከላኸል ኣወንታዊ ስጉምቲታት ወሲዱ ኣሎ። መሪሕነት ወሲዱዎ ዘሎ ግብርዊ ስጉምቲታትን ንትግባሪኡ ወጢኑዎ ዘሎ መደባትን ድማ ኣብ ምቹእ እዋን ንብጾት ብብሎቲን ከነውጽኣሎም ኢና። ኩሉ ኤርትራዊ፣ ብፍላይ ከኣ ኣባላት ሓረካ ክፈልጥዎ ዘለዎም ሓቂ ከኣ፣ ጉዳይ ኤርትራ ብመገዲ ሽፍታ ክፍታሕ ከምዘይክእል ኢዩ። ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ከተማታትን ገጠራትን ጎቦታትትን ኤርትራ ብደቂቕ መልክዕ ብዝውድብ ቀጻሊ ስራሕ ኢዩ ዝፍታሕ። ሓረካ ዝሰርሓሉ ዘሎ ከኣ ነዚ ኢዩ። ንዝጽዕረሉ ዘይክኣል ዝበሃል ዓወት ሰለዘየለ ከኣ፣ ከም እንዕወት ዘጠራጥር ኣይኮነን።”[33]***

***ካልኣይ፡- ጣህር ኣብራሂም ፈዳብ ብወገኑ “ሓረካ” ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ካይሮ ፖለቲካዊ ዕቑባ ምስ ረከብሉስ ካብ ኤርትራ ከውጽኦ ከም ዝወሰነ ይጠቕስ። ኣስዒቡ ከኣ “ካብ ኤርትራ ንምውጽኡ ኣነ ኢየ ተመዚዘ ዝነበርኩ። ኣብ ኦምሓጀር መምህርን ሓላፊ ጨንፈር ሓረካን ዝነበረ ሙሓመድ ኖር ኣሕመድ ካብ ኣስመራ ምስ ተመለስኩ ንዕለት* 15/7/1962 *ኣብ መንጎይን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ዝካየድ ርክብ ንኽዳሉ ከኣ መዚዘየ። እንተኾነ ግን ካብ ኣሰመራ ምስ ተመለስኩ ኣብ ኦምሓጀር ሰለዝተኣሰርኩን ብሰንኪ'ቲ ኣዕሩኽ ዓብደልርሒም ሙሓመድ ሙሳን ሙሓመድ ሓሰን ሓሰኖን ዝተሓንቁሉ ናይ ቦምባ ስርሒት ኣብ ኣቑርደት ምእሰረይን ርክበይ ምስ ሓምድ ክፍጸም ኣይተካእለን።”*[34] *ይብሉ።***

***ኣብቲ ኣዋጅ ተጠቒሱ ዘሎ እቲ “መሪሕነት ዝወሰዶ ግብራዊ ስጉምቲታትን ንትግባረኡ ዝወጠኖ መደባትን” እቲ ጣህር ፈዳብ ዝጠቐሶ ምውጻእ ሓምድ ንካይሮ***

---

[33] *ም.ሓ.ኤ. “ሓቂን ታሪኽን” ሙሓመድ ስዒድ ናውድ - ጥብቆ*

[34] *ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ታሪኻዊ ጉዕዞኡን ጣህር ኢብራሂም ፈዳብ ገጽ* 183

ማለት ድዩ? ንሕና ንሱ ክኸውን ይኽእል'ዩ ብሃልቲ ኢና። ምክንያቱ መሪሕነት "ሓረካ" ኣብቲ እዋን'ቲ ብድልውነቱ ይኹን ነቲ ተበግሶ ብብረትን ካልእን ክድግፍ ቁሩብ ኣይነበረን። ብፍላይ ከኣ፡ እቲ ተበግሶ ኣብ ትሕቲ'ቲ መሪሕነት ሓረካ ምስ ኣገባባቱን መሪሕነቱን ፍልልይ ዘለዎ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰለዝተጀመረን መሪሕነት ሓረካ ኣብቲ እዋን'ቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ይኣምነሉ ሰለዘይነበረን ብወገን ሓረካ ክሕገዝ ዘይሕሰብ ኢዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኩነታት መሪሕነት ሓረካ ዝወድቅ ዝኾነ ይኹን መሪሕነት ኣብ ቅድሚ'ቲ ዓቢ ፍጻመ ክርበሽን እዚ ድማ ኣብ ፖለቲካዊ ኣገባባቱን መዓልታዊ ተግባራቱን ከንጻባረቐን ግድን ኢዩ። ንመሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዘጋጠመ ዕድል ከኣ እዚ'ዩ ነይሩ።

# ምዕራፍ 5

# ሕቶ ህላወን ቀጻልነትን 1961-1965

## 1. ጉዳይ መሪሕነት

ዕጥቃዊ ቃልሲ ተጀሚሩ። ምስ ምጅማሩ ከኣ ሕቶ መሪሕነት ከም መሰረታዊ ሕቶ ክቀርብ ባህርያዊ'ዩ። መሪሕነ ተ.ሓ.ኤ. ከመይ ነይሩ፡ ንወተሃደራውን ፖለቲካውን ሸነኻት ናይቲ ውድብ ከ ከመይ መሪሕዎ፡ ክሳብ ኣብቲ ኣብ ሓምለ 1965 ዝጀመረ ካልኣይ መድረኽ ከ እንታይ ኣበርኪተ?

ከም መበገሲ፡ ክሳብ'ቲ ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት ምስ ሓምድ ዓዋተ ዝተጸንበርሉ እዋን፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ናይቲ መሪሕነት ብከምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።

1. ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኣወጀ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብተግባር ናይቲ ዝተወሰደ ተበግሶ ወተሃደራዊ መራሒ ኢዩ ኮይኑ። ካብ ሱዳን ቀዳሞት ኤርታውያን ወተሃደራት ክሳብ ዝጽንባርዎ ከኣ ብዘይካ ካብ ከሰላ ኤርትራውያን ወተሃደራት ዝለኣኽሉ ገለ ጠያይት ካብ ወጻኢ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ከይረኸበ ህላወን ቀጻልነትን ሰውራ ኣብ ምዕቃብ ተዓዊቱ ኢዩ።
2. እቶም ንዕጥቃዊ ቃልሲ ነዊሕ ዝሓለሙን፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር **"ግብረ ሰናይ ማሕበር"** ብዝብል ስም ፖለቲካዊ ውድብ ዘቆሙን ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ወተሃደራት፡ ድሕሪ ተበግሶ ሓምድ፡ ውድቦም ሓደ ካብ ደረጃታት መሪሕነት ውድብ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም ከይሓሰቡ ንመሪሕነት ሓምድ ኣብ ሜዳን ንመሪሕነት ማእከላይ ሽማግለ ኣብ ካይሮን ተቐቢሎም ንውድቦም ብምፍራስ ብውልቅን ብጉጅለን ናብ ሓምድ ዓዋተ ተጸንበሩ።
3. ነቲ ኣብ ካይሮ ዝመደበሩ ማእከላይ ሽማግለ ብግብሪ ዝመርሕ ዝነበረ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኢዩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ተጸንበሮም ከኣ ክልቲኦም ብግብሪ መራሕቲ ናይቲ ውድብ ኮኑ።

### መሪሕነት ሜዳ

#### መሪሕነት ሓምድ

ሓምድ ዓዋተ ምምጻእ ኤርትራውያን ወተሃደራት ካብ ሱዳን ብሓጎስ ኢዩ ተቐቢሉዎ። ነዚ ከኣ ኣብቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1962 ዓ.ም ምስቶም ወተሃደራት ኣብ **"ኣብ ሓሸላ ሽኩር"** ዝገበሮ ርክብ ካብ ሎሚ ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ኣብቂዑ ኢዩ ክብል ገሊጽዎ። ብትግረ **"ኢትዮጵያ ዮም ደመተት"** ክብል'ዩ ከኣ ገሊጹ። ኣብቲ ሽዑ ዝተገብረ ኣኼባ ድማ[35] ንሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ምክትሉ ክኸውን መደቦ። ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብቲ ኣኼባ ባህርያት ናይቲ ምስ ጸላኢ ዝካየድ ኵናት ኣጥቂዕካ ናይ ምህዳም ኣገባብ ምዃኑ ገሊጸሎም። ነዚ ዝምልከት መምርሒታት እውን ሃቦም። መሳርዕ ብምቛም ድማ ንነፍሲ ወከፍ መሰርዕ ዝመርሕ ካብቶም ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት መዘዘ። እቶም ኣቐዲሞም ምስ ሓምድ ዝነበሩ ተጋደልቲ ቀንዴል ዕጥቃዊ ቃልሲ ንክትህሉ ብጅግንነት ዝተዋግኡ'ኳ እንተነበሩ።

---

[35] ናይ ቅድም ምንጪ ሙሓምድ ኣደም ገሲር

ኣብቲ ኣኼባ ግን ዋላ ሓደ ካብኣቶም ናብ መሪሕነታዊ ቦታ ኣየምጽኡን። ኣፍልጦኦም ኣብ ዕላማታት ሾናት ደሩት ምኺኑ ሰለዝተረድኦ እምበር ንናይ ምውጋእ ዓቕሞም ኣነኣኢሱ ወይ'ውን ክነስዮም ሰለዝደለየ ዘይምኺኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምናልባት እውን ቅድሚ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ብሸፋቱ ዝፍለጡ ዝነበሩ ባእታታት ኣብ መሪሕነታዊ ቦታ ምምጻእ ንሃገራዊ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከይብክል ሰለዝሓሰበ ኮይኑውን ይኽእል ኢዩ።

እቶም ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት ምስ ሓምድ ዝተሳተፍዋ ናይ መጀመርታን መጨረሽታን ሾናት እታ ብ4 ሚያዝያ 1962 ዓ.ም ኣብ “**በላጊንዳ - ቢታማ**” ዝተኻየደት ኢያ። እዛ ሾናት እዚኣ ንሓምድ ነቶም ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት ብውልቂን ብጉጅለን ናይ ምውጋእን ምምራሕን ዓቕሞም ንምምዛን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ንወርሒ መመላእታ ምስኡ ዝጸንሕሉ እዋን'ውን ብዛዕባኦም ትዕዝብቲታት ክወስድ ክኢሉ ኢዩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ጉጅለ ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ፡ ሓምድ ዓዋተ ናብቶም ወተሃደራት ምሽራውን ንዓታቶም መሪሕነታዊ ቦታ ምሃቡን ከም ዘይተቐበልዎ ክርዳእ ክኢሉ። ከምኡውን ብድሕሪኡ እቶም ሓደስቲ መራሕቲ ብመሰረት መምሪሕታት ሓምድ ንዝተኸተልዎ ተሪር ኣመራርሓ ጉጅለ ኢብራሂም ኣይተቐበልዎን። ንዘወሃቦም ዝነበረ ትእዛዝን መምርሒታትን ይቓወሙን ይነጽጉን ሰለዝነበሩ ከኣ ገሊኣቶም በቶም ሓደስቲ መራሕቲ ክቕጽዑ ክኢሎም። ሓምድ ዓዋተ ዝኾነ ይኹን ርእይቶ ከይሃበ ወይ ምትእትታው ከይገበረ ነቲ ጉዳይ ይከታተሎ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ግን ሃገራዊ ዕላማ ብዛዕውት ቀጻልነት ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምውሓስ ንኩሉ'ቲ ተግባራት ገደብ ክገብረሉ ወሰነ።

እዚ ድሕሪ ገለ መዓልታት ካብ ሾናት ቢታማ ኮይኑ፡ ሓምድ ነተን መስርዕ ኩለን ኣኪቡ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታቱ ኣመሓላለፈለን።

- ንጉጅለ ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ብረቶም ኣረጊፉ ካብ ቃልሲ ኣሰናቢቱዎም።
- ሓደ መንእሰይ፡ ብሸፋቱ ዋልቃይት ኣቦኡ ዝተቐትሎ ሕነ ንምፍዳይ ብረት ሒዙ ዝተሰለፈ ዋጋ ናይታ ላም ሽይጡ ዝገዝኣ ብረት ገንዘብ ሂቡ ካብ ቃልሲ ኣፋንይዎ። ይኹን እምበር፡ እቲ ምስ ሓምድ ዝጸነሓ ገንዘብ ካብቲ እቲ መንእሰይ ዝጠቐሶ ዋጋ ናይቲ ብረት ሰለዝዋሓደ፡ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝጸነሐ ሂቡ “**እቲ ዝተረፈካ ገንዘብ ግና ድሕሪ ናጽነት መንግስቲ ኤርትራ ክኸፍለካ ኢዩ**” በሎ።

ብድሕሪ'ዚ ሓምድ ነቶም በቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዝተገረሙ ዝተረፉ ኣበላት ኣኼባ ኣካይዱ። ንጉጅለ ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ንምምላስን ካብኣቶም ሓደ ሓላፊ ንምምዳብን ብገለ ወተሃድራት ከም በዓል ኣቡ ጥያራን ዑመር እዛዝን ዝተገብረ መንጎኛነት ብምንጻግ ድማ ነዚ ዝስዕብ ገለጸሎም።

- ጉጅለ ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ፡ ካብ ኣእምሮኦም ናይ ሽፋትነት ሓሳባት ዘይወጾም ኢዮም። ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ድማ ካብ መጀመርታ ካብዚ ኣተሓሳሳባ'ዚ ሓራ ክንገብሮ ኢና ንደሊ ዘሎና።[36]
- እዚ ሾናት'ዚ ከምዚ እዚ መንእሰያ'ዚ ዝሓሶቦ ዘሎ ናይ ሕነ መፍዳይ ሾናት ኣይኮነን።

---

[36] ጉጅለ ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ንጸላኢ ኢዶም ኣይሃቡን። ኣብ በረኻ ክንቀሳቐሱ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ መስዋእቲ ሓምድ ከም እንደገና ናብ ሰውራ ተመሊሶም ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ዝርከቦም ከኣ ገሊኦም ተሰዊኦም።

* * *

ብድሕሪ'ዚ ሓምድ ነታ ጉጅለ ብዛዕባ መጻኢ መደብ ስራሕ ኣዘራረቦም። ብረት ንምርካብ ንዘሎ ኣገዳስነት ድሕሪ ምግላጹ ከኣ፡ ኣብ ንኣሽቱ መሳርዕ ከፋፊሉ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክከዱን ብረት ክደልዩን ንህዝቢ ድማ ዕላማታት ሰውራ ክገልጸሉን መዘዞም። ብዛዕባ'ቲ ሽዑ ዝተገብረ ምውዛዕ ኣቡጥያራ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጸ።

- ኣደም ግንድፍል፡ ጅምዕ ኣደም፡ ዑስማን ኣቡሸነብ ናብ ከባቢ ጎኘ
- ኣቡጥያራ፡ ዑመር ዳመር፡ ሙሓመድ ኢብራሂም ባህዱራይ ናብ ከባቢ ኣቑርደት
- ዑመር እዛዝ፡ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ሙሓመድ ዓሊ (ኣቡርጀላ) ናብ ከባቢ ከረን[37]

እታ ናብ ከረን ዝተመደበት መስርዕ ዕማማ ምስ ፈጸመት፡ ናብ መደበር ፖሊስ ከረን ቡምባ ኢድ ብምድርባይ ንሓደ ፖሊስ ከም ዘቑሰለት ኣቡጥያራ ይገልጽ።

* * *

እተን መሳርዕ ድሕሪ እዚ መደብ እዚ ፋሕ ምባለን ምስ ሓምድ ኣይተራኸባን። ኣብቲ ዝተወሰነለን ከባቢታት ዕላማታት ሰውራ ንህዝቢ ኣብ ምብራህ'ኳ እእንተተዓወታ፡ ብረት ግን ከረኽባ ኣይከኣላን። ካብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዝተለኣከ ሓሙሽተ ብረት ኣብ ከሰላ ከምዘሎ ምስ ፈለጡ ድማ ናብ ከሰላ ከይዶም ምስ ኣምጽኣዎ ንሓምድ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን፡ ንጉጅልኡ ረኺቦም። ብረት ናይ ሓምድ ምስታ ጉጅለ ሰለዝራኣዩ ብዛዕባ ሓምድ ምስሓተቱ፡ ሓምድ ከምዝተሰውአ ገለጸትሎም። ሽዑ መስዋእቱ ብምስጢር ንኽሕዝዎ ኩሎም ኣብ ቅድስ ቁርኣን ምሒሎም። ካብኡ ንድሓር ሓምድ ዘይብሉ መስርሕ ቃልሲ ቀጻልዎ።

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ነዊሕ ሰለዘይጸንሓ ብዛዕባ መሪሕነቱ ኣስፊሕና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ምስቶም ካብ ሱዳን ዝመጹ ኤርትራውያን ወተሃደራት ዝጸንሑ ግዜ'ውን ካብ ወርሒ ዘይሓልፍ ሓጺር ስለዝነበረ፡ ካብኣቶም ዕድመ ረኺቦም ብሂወቶም ዘሎዎ ብዛዕባ መሪሕነት ሓምድ ዝህብዎ ሓበሬታ ካብ ጠብላሕታ ዝተበገሰ ኣብ ነዊሕ ተመኩሮ ዘይተመርኮሰ ኢዩ። ይኹን'ምበር ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብቲ ዝጸነሓ ሓጺር ግዜ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ምዕባለ ሰውራ ኣወንተዊ ተራ ዝተጻወተ ኣብ ኣመራርሓን ጥበብ ቀጻልነትን መትከላት ከም ዘስረጸ ክንዕዘብ ንክእል ኢና።

- ካብታ መጀመርታ ኤርትራውያን ወተሃደራት ካብ ሱዳን ዝመጽኡላ፡ ቅድሚኣ ዘይወሰዶ ስጉምቲ፡ ንሱ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ዝትክእ ምክትሉ መዲቡ። ሓምድ ነቶም ምስኡ ውልቃውን ሰድራቤታውን ምትእስሳር ዝነበሮም ምስንጉት ቀጻልነት ሰውራ ኣብ ኢድ እቶም ንዕላማታት ሓርነት ዝርድኡ ንቁሓት ባእታታት ንምግባር ኢዩ።
- ቀዳማይ መሰረት ሰውራ ንዕቤትን ዝርጋሐን ሰውራ ዘጣጥሕ ጥዑይ መሰረት ክኸውን ከም ዘለዎ፡ ዝኾነ ንሰውራ ካብ ዕለማታቱ ዝኣልን ንኣወንታዊ ምዕባለታቱ ዝዕንቅፍን ኣለታዊ ኣተሓሳስባታት ከየዓብየ እንክሎ ካብ መጀመርታኡ ክሕክሞ ከምዘለዎ ሰለዝተረደአ ዕላማታት ሰውራ ንምዕዋትን

---

[37] ጉንተር ቃለ መጠይቕ ናይ ቅድም ምንጪ

ሓድነቱ ንምውሓስን ንጉጅለ ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ካብ ቃልሲ ኣሰናቢቱ። እዚ ውሳነ'ዚ  ኣብ ውልቁ ኣመና በዳሂ ምንባሩ ይርድኣና ኢዩ። እንተኾነ ግን ቅኑዕነት ናይቲ ውሳነ ሰለዝኣመነ ሓላፍነት ብምስካም ተግቢርዎ።

- ነቲ መሰረት ሓይሊ ሰውራ ዝኾነ ኣሃዱ ቀጻልነት ህላውኡን ምዕባለኡን ንምውሓስ ናይ ደባይ ኵናት መሰረታዊ መትከላት ኣቕሚሉ። ካብ መጀመርታ ከኣ ናይ ኣጥቂዕካ ምህዳም ኲናት እናተኸተለ ኣብ ክጥፍኦ ዝኽእል ሓደገኛን ሃንደበታውን ኵናት ንኸይኣቱ ብመልክዕ ንኣሽቱ መስርዕ ከም ዝንቀሳቐስ ገይሩ።

### መሪሕነት ጣህር ሳልም

ድሕሪ ሓምድን ቅድሚ ጣህር ሳልምን ወተሃደራዊ መርሕነት ዝሓዙ ክልተ መራሕቲ ነይሮም። ዕድመ ሰለዘይረኸቡ ብዛዕባ ኣመራርሓኦም ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ቀዳማይ ምክትል ሓምድ ዝነበረ ኢዩ። መሪሕነት ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ሽድሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እታ ዝነበረት ኣሃዱ ብረት ንምርካብ ኣብ ንኣሽቱ መሳርዕ ተኸፋፊላ ፋሕ ኢላ ኢያ ነይራ። ካብ መደበር ፖሊስ ሓልሓልን ካብ ዓንሰባን ድማ ብረታት ክረኽቡ ክኢሎም። እነትኾነ ግን ኣብቲ ብ13 ጥሪ 1963 ዓ.ም ዝተኻየደ ኵናት ዓንሰባ  ሙሓመድ እድሪስ  ሓጅ ተሰዊኡ ኢዩ።

ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበረ ኣቡበከር ሙሓመድ እድሪስ ከም መራሒ እኳ እንተ ተመርጸ፡ መሪሕነት ድሕሪ ምሓዙ ስድራቤቱ ክርኢ ኢሉ ናብ ሱዳን ከተማ ገዳርፍ ምስ ከደ ሓሚሙ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ተሰዊኡ።

ስዒቡ መሪሕነት ዝተረከበ ኣገልግሎቱ ወዲኡ ካብ ሰራዊት ሱዳን ሽዑ ወጺኡ ዝነበረ ጣህር ሳልም ኢዩ። ጣህር ሳልም ንኣሃዱታት ሰውራ ክሳብ መጨረሽታ 1964 ንክልተ ዓመት ምሉእ ሰለዝመርሐ ብዛዕባ መሪሕነቱ ብዝርዝር'ኳ እንተዘይኮነ ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ጣህር ሳልም ናይቲ ትሕቲ ጽላል **"ውድብ ሓርነት"** ብገለ ከኣ **"ግብረሰናይ ማሕበር"** ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳን ሓላፊ ነይሩ። ጣህር ሳልም ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ነዊሕ ዘገልገሎን ሓደ ካብቶም ዝላዓለ መዓርግ ዝነበሮም ምዃኑ ንጡፍን ናይ ምውዳብ ዓቕሚ ዘለዎን ሰለዝነበረ ኦቦ መንበር ናይቲ ምንቅስቓሶምን ከምቲ ገለ ዝብልዎ ከኣ መሃንድሱን ኢዩ ነይሩ። ጣህር ሳልም ወተሃደራዊ ኣገልግሎቱ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ብሰንኪ ዘይምውድኡ ምስቶም ንዓዋተ ዘርከቡ ቀዳሞት ጉጅለ ወተሃደራት እኳ እንተዘይተሰለፈ ወተሃደራዊ ኣገልግሎቱ ምስ ወድኣ ብቀጥታ ኣብ መጀመርታ 1963 ዓ.ም መራሒ ኣሃዱታት ሰውራ ተመሪጹ። ንቐዳሞት ፈለምቲ ሰውራ ሓደ ካብቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት ብኸመይ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ከም ዝራኸቡ ዝብል ሰለዝነበረ፡ መራሕቲ መሳርዕ ኣብ ሜዳ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ ድማ መራሒ ኣሃዱታት ሰውራ ጣህር ሳልም ኣብ ርእሲ'ቲ ላዕለዎይ ወተሃደራዊ ሓላፍነቱ ኣብ መንጎ ሜዳን ላዕለዋይ ባይቶን ናይ ምውህሃድ ተራ ንኸጻወት ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ከሰላ ክኸውን ኣብ ሜዳ ከኣ ምክትሉ ከመርጽ ተሰማምዑ። ንማሕሙድ ዲናይ ድማ ከም ምክትሉ ኣብ ሜዳ መዘዘ። ጣህር ሳልም ድማ ኣብ ከሰላ ቤት ጽሕፈት ገይሩ፡ ዝተሓጋገዝዎ ሰባት እውን መዲቡ፡ ኣብ ትሕቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዝብል ስም ከኣ ይሰርሕ ነይሩ።

መሪሕነት ሜዳ በዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ክሳብ መጨረሽታ 1964 ቀጺሉ። ብድሕሪ'ዚ ግን ኣብ ሶርያ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝወሰደ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ ንጣህር ሳልም ተኪኡዎ። ዑማሮ ኣብ መጀመርታ ከም ምክትሉ ኮይኑ ድሕሪ ምስራሕ፡ ከም

ሓላፊ ትመዲቡ ክሳብ ምቛም ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣብ ሓምለ 1965 ንገለ ኣዋርሕ ኣገልጊሉ።

## መሪሕነት ላዕለዎይ ባይቶ ኣብ ወጻኢ

ኣቐዲምና ከም ዝተዓዘብናዩ ናይ ወጻኢ ስራሕ ክሳብ መጨረሽታ 1962 ኣብ ጻዕሪታት እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ኢዩ ዝምርኮስ ነይሩ። ክልቲኦም ኣብዚ ዝተጠቕሰ መድረኽ ንሕቶ ኤርትራ ኣብ ምዝርጋሕን መዘከራት ብምጽሓፍን ኣብ ከሳተፍዎ ዕድል ዝረኸብሉ ሰሚናራት ኣስተምህሮ እናሃቡን ኣብ ውሽጢ መንግስታትን ኣህጉራውያን ውድባትን ኣብ ምልላይ ጉዳይ ኤርትራ ዓቢ ጻዕሪ ኣካይዶም ኢዮም። ንኤርትራውያን እውን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይውድቡ ነይሮም። ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስ ተጀመረ ድማ ብኣጽዋር ኣብ ምሕጋዙ ሰሪሖም። ነዚ ዕላማ'ዚ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ኣብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስራሕተኛታት ብምንቅስቓስ ናይ ዓሰርተር ዝልንሙ (ኣብዓሸራ) 5 ብረት ናይ እንግሊዝ ስርሓትን፡ 5 ሽንጉጥትን ብምግዛእ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1962 ዓ.ም ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ከም ዝበጽሕ ገይሮም። እቲ ሓድሽ ብረት ነቶም ካብ ሰራዊት ሱዳንት ዝተሰለፉ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣንጻር ጸላኢ ዕውት ስርሒታት ብምክያድ ተወሳኺ ኣጽዋር ንኽሰለቡ ከኣ ከም መበገሲ ኣገልጊሉዎም ኢዩ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ምናልባት እውን ኣብ መወዳእታኡ ክኸውን ይኽእል ላዕለዋይ ባይቶ ብሰለስተ ኣባላት ቆይሙ። ንሱም ከኣ፡ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣቦ መንበር። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ጸሓፊ ጉዳይ ሰውራ ኢዮም። በዚ ኣቃውማ እዚ ከኣ እቲ ማእከላይ ሽማግለ ዝበሃል ዝነበረ ኣካል ብግብሪ ብላዕላዋይ ባይቶ ተተክእ።

ቦኹሪ ርክብ ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን ተጋደልትን ዑስማን ናብ ሜዳ ሓጺር ዑደት ኣብ ዝገበረሉ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1962 ዓ.ም ኣብ ጋሽ "በርገሺሽ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኢዩ ተካይዱ። ኣብቲ ኣኼባ ዑስማን ብሓሙሽተ ሰባት ዝቆመ መሪሕነት ሰራዊት ኣቑሙ። ከምኡውን ከም መሪሕነት ኮይና ኣብ መንጎ ወጻኢን ውሽጢን ከም ናይ መራኸቢ ቀለቤት እትስርሕ ኮሜተ ኣብ ከሰላ ሱዳን ኣቆመ። እንተኾነ ግን ክልቲኡ መሪሕነታት ስርሑ ከካይድ ሰለዘየከኣለ፡ ጣህር ሳልም ከም መራሒ ናይ ሜዳን ኣወሃሃዲ ኣብ መንጎ ውሽጢን ወጻኢን ኮይኑ ንኽስርሕ እቶም መራሕቲ ጉጅለታት መዚዘምዎ።

- እንተ'ታ ኣብ ከሰላ ዝቆመት ኮሚተ፡ ሰበ ስልጣን ሱዳን ንቤት ጽሕፈታ ሰለዝሓዝዎን ንኣባላታ ብምእሳር ኣብ ትሕቲ ምክትታሎም ስለዘእተውዋን ስራሓ ክተክይድ ኣይካኣለትን።
- እቲ ብሓሙሽተ ኣባላት ዝቆመ ናይ ሜዳ መሪሕነት ግን ጉዳዩ ዝተሓለላኸን ብዛዕባኡ ዝወሃብ ሓበሬታታት ተገራጫውን ብምዃኑ ኣብኡ ተመርኪስካ ክትዛረብ ኣጸጋሚ ኢዩ።

- እቲ ብሓሙሽተ ኣባላት ዝቆመ መሪሕነት ሜዳ ኣባላቱ ነንሰለስተ ወርሒ ኣቦ መንበርነት እናተለዋወጡ ይሰርሑ ከም ዝነበሩ ዝገልጹ ኣለዎ። ኣቡጥያራ ኣብቲ ምስ ጉንተር ዝገበሮ ቃለ መጠየቅ ኣባል ናይቲ መሪሕነት ምዃኑን ሓደ እዋን መራሒ ሰራዊት ኣብ ሜዳ ከምዝነበረን ይገልጽ። ካልኦት ንርእይቶኡ ዝድግፉ እውን ኣለው።
- ነቲ ካብ ኣኼባ በርገሺሽ ዝወጸ ብሓሙሽተ ኣባላት ዝቆመ መሪሕነት ብምጉሳይ መሪሕነት ሰራዊት ካብ ሓምድ ዓዋተ ናብ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ካብኡ ድማ ናብ

ኣቡበከር ሙሓመድ እድሪስ ቀጺሉ ናብ ጣህር ሳልም ኢዩ ተሰጋጊሩ ዝብሉ ከኣ ኣለዎ። ብግምትና ክልቲኡ ርእይቶታት ገለ ሓቂታት ኣለዎ። ብሓቂ እቲ ስሩዕ በብተራ መሪሕነት ናይ ምሓዝ መደብ ንሓደ እብረ ንሱ ከኣ ኣብ ግዜ ኣቡጥያራ ጥራይ ኮይኑ እምበር ሰሪሑ ኢዩ። ንሓጺር እዋን ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘይሓልፍ ከኣ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ግን እቲ ተመኩሮ ኣድማዒ ኮይኑ ስለዘይተረኸበ ብሓደ መራሒ ተተኪኡ። መሪሕነት ኣቡ ጥያራ ድሕሪ መስዋእቲ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ኣብ ጥሪ 1963 (እዚ ድማ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ካብ ኣኸባ በርገሺሽ ማለት'ዩ።) መስዋእቲ ኣቡበከር ሙሓመድ እድሪስን ኢዩ መጺኡ።

ስለዚ እምባኣር መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ክሳብ መጨረሽታ ናይቲ እንዝረበሉ ዘሎና መድረኽ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

- **ላዕለዎይ ባይቶ**፡ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ካይሮን መቓድሾን ዝርከብ፡ ብሰለስተ ኣባላት ዝቆመ ጨናፍር ሓፋሽ ውድባት ኣብ ወጻኢ ምስኡ ዝተኣሳሰር።
- **ወተሃደራዊ ኣዛዚ**፡ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ከሰላ ዝኾነ ምስ ላዕላዋይ ባይቶ ከም መራኸቢ ቀለቤት ዝኾውን ጨናፍር ሓፋሽ ውድባት ኣብ ሱዳን ምስኡ ዝተኣሳሰር።
- **ምክትል ወተሃደራዊ ኣዛዚ**፡ ኣብ ሜዳ ዝርከብ።
- ጨንፈራት ሓፋሽ ውድባት ኣብ ውሽጢ (ኣብ ከተማታትን ገጠራትን)፡ ምስ መራሕቲ ደባይ ኣሃዱታት ዝተኣሳሰራን ብመምርሒታቶም ዝኸዳን።

ነዚ ዝርዝራት'ዚ ንምብራህ ዝመረጽናሉ ምኽንያት ኣብ መራሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ውሱን ውድባዊ ዝምድናታትን መሰረት ኣመራርሓን ዘለዎ ብንጹር ናይ ኣመረርሓ ደረጃታት ዝልለ ከምርሕ ዝኽኣል ሓያል ውድብ ኣብ ዝድለየሉ ዝነበረ መድረኽ ንዝነበረ ሕጽረት ንምልላይ ኢዩ።

እዚ ናይቲ ዝለዓለ ሰልጣን ናይቲ ውድብ ንነብሱ ዝገበረ ላዕላዋይ ባይቶ ዕማም እኳ እንተነበረ፡ ንሱ ግን ኣቃልቦ ኣይሃበሉን ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ከቢድ ናይ ኵናት ዕማም ነዝነበሮም ወተሃደራት ኢዩ ገዲፍዎ።

ካብዚ ብምብጋስ፡ ከምዚ ዓይነት ኣወዳድባ ሒዙ ንዝብገስ ነዊሕ ጉዕዞ ዝጸበዮ ውድብ ከጓንፍ ዝኽእል ጸገማት ንምግማት ኣጸጋሚ ኣይመስለናን ኢዩ።

## 2. መልሰ ተግባር ኢትዮጵያ

እቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ዝተኣወጀሉ ግዜ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ዝዳሎ ዝነበረ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ዕላማኡ ዕግርግር ኣብ ዘይብሉ ርጉእ ፖለቲካዊ ኩናታት ክፍጸመሉ ኢዩ ዝደሊ ነይሩ። ስለዚ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምጅማሩ ዓቢ ሽቕሎት ኢዩ ፈጢሩሉ። ነቲ ዕጥቃዊ ተቓውም ገና ብውለደኡ እንከሎ ንምቁጻይ ከኣ ቅልጡፍ ምንቅስቓስን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ባርካን ጋሽን ምስሊ ሰውራ ንምጽላም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ዘመተን ኣካየደ። ነቶም ደቆም ናብ ሰውራ ዝተሰለፋ ስድራቤታት ድማ ብጃምላ ቀጽዖም። ንጉስ ሃይለ ስላሰ እውን፡ ኣብ ካይሮ ንዝነበሩ ፖለቲካኛታት መራሕቲ ብምዕጋብ ንኽመልሶም ብኣካል ኣብቲ ጉዳይ ተዋስኡ።

ዕጥቃዊ ተቓውም ከም ተርእዮ ንመልክዕ ናይቲ ኢትዮጵያ ንኽፍጽሞ ዝዳሉ ዝነበረ መድብ ዝጽይቅ ኮይኑ እንተተራእየ፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ግን ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ነቲ ኣብ መላእ ሃገር ብፍላይ ከኣ ዋና ከተማ ኣስመራ ዝነበረ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን መሪሕ ተራ ዝተጻወትሉ ፖለቲካዊ ኩነታት ኣይርድኦምን ነይሩ ክብሃል ኣይካኣልን።

ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንተርእዮ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ብኣጋኡ ኣብ ምቁጽይ'ኳ እንተፈሸሉን ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና እንተ ተረድእዎን ዝመጽእ ሳዕቤን ብዘየገድስ ብዘይካ ውጥናቶም ንምትግባር ንቅድሚት ምኻድ ካልእ ይርኣዮም ኣይነበረን።

ንጉስ ሃይለስላሰ ባዕሉ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ሰበ ስልጣን ዝምርሕሉን ዝምርኮስሉን ሓፋሽዊ ፖሊሲ ብምስኣል ነቲ ናይ ምጽንባር ዘመተ ብኣካል ኣውጀ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር "**ኣብ ኣድራሻ ኣሰመራ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ መኮንናት፡ ኣመሓደርቲ፡ ደያኑ፡ ሓላፍቲ ቀቢላታት፡ ኣመሓደርቲ ኣውራጃታት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጽር ህዝብን**" ኣብ ዝተረኽብሉ ብ27/6/1962 ዓ.ም ኣብ ዘሰምዖ መደረ፡ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ጉዳያት ኣተኲሩ። ብድሕሪኡ ከኣ ንብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ሓለፍቲ ኒሻናትን መዓርግን ናይ ክብረ ሳንታትን ዓዲሉ።

- ቀዳማይ ጉዳይ ንጉስ ሃይለስላሰ ዘልዓሎ ካብ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ እትኽሰብ ኤርትራ ኢያ ብምባል ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ።

**"ኤርትራ ምስ ኣደኣ ኢትዮጵያ ካብ እትጽንበር ጽርግያታታ፡ ማዕርፎ ነፈርትን ወደባታን ንምምሕያሽ፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ትካላት ጥዕና፡ ሆስፒታላት፡ ኣሃዱታት ሕክምና፡ ኣብያተ ጸሎት፡ መሳጊድን ኣብያተ ክርስትያናትን ንምህናጽ ብዙሕ ወጻኢታት ጌርና። ነዚ ኩሉ ንምህናጽ ከኣ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት** 74,819,817 **ብር ኢትዮጵያ ኣውጺእና። ብዘይካ'ዚ እውን ደርቂን ኣንበጣን ምስ ኣጋጠመ ከም ዝሓገዝናኩምን ካብ ግብሪ ናጻ ከምዝገደፍናኩምን ጹቡቅ ጌርኩም ትፈልጥዎ ኢኹም። ከምኡውን ሓረስቶት ንምሕጋዝ ካልእ ወጻኢታት ተገይሩ ኢዩ። ንሕና ነዚ ምእንቲ ኤርትራ ኢልና ዝገበርናዮ ብዙሕ ወጻኢታት ምጥቃስና ድማ፡ ነቲ ኤርትራ ኣቃልቦ ይወሃባ የለን ዝብል ናይ ሓሰት ዘረባታት ገደብ ንምግባር ኢዩ።"**

- ካልኣይ ዝተዛረቡሉ ጉዳይ ንኤርትራውያን ነቲ ኣቦታቶም ዝተቃለሰሉ "**ታሪኻዊ ኢትዮጵያውነቶም**" ምዝኽኻር ኢዩ ነይሩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ከኣ፡ "**ጸላኢ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረሉ ግዜ ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ጸላኢ ሃዲሞም ኣብ ጎኒና ኮይኖም ኣንጻር ጸላኢ ኣብ ኵናት 'ማይ ጨውን' 'ነፊላን' ካልእን ተዋጊኦም። እቶም ብሂወት ዝተረፉ ከኣ ንሸውዓተ ዓመታት ምስ ኣሕዋቶም ጀጋኑ ተቓወምቲ ንጸላኢ ተዋጊኦም።** (እተን ሸውዓተ ዓመታት ዝበለን ግዜ ናይ ጥልያን ወራር ካብ 1935-1941 እየን።) **ንኢትዮጵያውነቶም ልዕሊ ኩሉ ብምስራዕ ከኣ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም። ሎሚ ንሕና ኣስማቶም ኣብዚ'ኳ እንተ ዘይጠቐስናዮ፡ ኣስማቶም ንመጻኢ ወለዶታት ዝሰጋገር ነባሪ ታሪኽ ክዝክሮ ኢዩ። ኤርትራ ናብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ንምምላስ ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ እውን እዞም ጀጋኑ ሃገራውያን እዚኣቶም ምእንቲ ኢትዮጵያውነት ናይ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ው.ሕ.ሃ. ኣድማዒ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም።**" ኢሉ።

- ሳልሳይ ዝተዘረበሉ ጉዳይ፡ ብዛዕባ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ኢዩ ነይሩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ንጉስ ሃይለሰላሰ "**እዞም ሽፍትነትን ስርቅን ዝሞታን ዝፍጽሙ ዘለው ግብረሸበራውያን እዚኣቶም፡ ዘካይድዎ ሰራሕ ስርቂ ክንሱ፡ ገለ ወጻእተኛታት ንገበናዊ ስርሖም ፖለቲካዊ መልክዕ ይህብዎ ኣለው**" ኢሉ።

ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ መደረኡ ጉዳይ "**ግብረሸበራውያን**"ን "**ሰረቕት**"ን ብዙሕ ግዜ ኢዩ ደጋጊሙወን።

ብድሕሪ'ዚ ሃጻይ ሃይለስላሰ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ መዓርግን ኒሽነትን ናይ ክብረ ሳንታትን ኢዩ ዓዲሉ። ከምዚ ዝስዕብ ድማ ነይሩ።

01. 13 ደጃዝማች
02. 19 ፊተውራሪ
03. 19 ቀናዝማች
04. 62 ግራዝማች
05. 03 ናይ ዳግማዊ ምኒሊክ ኣዛዚ
06. 13 ናይ ኢትዮጵያ ክብሪ ኮኾብ ኣዛዚ
07. 09 ናይ ዳግማዊ ምኒሊክ ናይ መኮንን ደረጃ
08. 33 ናይ ኢትዮጵያ ናይ ክብሪ ኮኾብ ናይ መኮንን ደረጃ
09. 67 ናይ ኢትዮጵያ ናይ ክብሪ ኮኾብ ናይ ፈረሰኛ ደረጃ
10. 08 ናይ ሃይለስላሴ ብሩር መዳልያ።

በዚ ድማ ኣብ ሓደ መዓልቲ በቲ ዕላማኡ ንዝኾነ ኤርትራዊ ዘየጋጊ "መዓርጋት" ብሃጸይ ሃይለስላሰ 246 ሲቪልን ወተሃደራውያንን ሓላፍቲ ተሸሊሞም።[38]

ብመሰረት እዚ ፖሊሲ'ዚ ከኣ፡ እንድራሲየ (ወኪል) ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ኣብዪ ኣበበን መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኣስፍሃ ወልደሚካኤልን ነቲ ናይ ምጽንባር ዕላማ ደገፍ ህዝቢ ንምርካብ ናብ ምዕራባዊ ከባቢታት ብፍላይ ኣብ ከረን፡ ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ባረንቱ፡ ሃይኮታ፡ ተሰነይን ሰብደራትን ሰፊሕ ዑደት ኣካየዱ።

ኣብቲ ተዋስኦ ዝመስል መስርሕ ነቶም ተማእዛዝነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝጥርጥርዎም ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ኣብ ኣደራሽ ኣኼባታት ባይቶ ብምድኻን ብ14 ሕዳር 1962 ዓ.ም ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝተጸንበረት ኣወጁ። እቲ መስርሕ ንስምዒት ህዝቢ ኤርትራን ፍሉይ መንነቱን ብዝጐድእ ኣገባብ ኢዩ ተፈጺሙ። መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ፖሊሲ ናይ ምጽንባር ኣብ ዝገለጸሉ ግዜ ነቲ ሓሳብ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡዎ።

"ብኢትዮጵያውነትና ብወግዒ ካብ ዝፍለጠልናን ኣብ ኣደና ኢትዮጵያ ካብ እንምለሰን ዓሰርተ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ኣነ ነዚ ከም ኣብነት ዘቕርቦ ዘሎኹ ነቲ መግዛእትን ጊላነት ዝተሓርደሉ መዓልቲ ንምጥቃስ ኢዩ። ንሕና ኢትዮጵያውያን ኢና። ብመበቆልናን ባህርታትናን ከኣ ንዘላኣለም ኢትዮጵያውያን ኢና። ብመበቆልን ደምን ባህሊን ስምዒትን ኢትዮጵያውያን ኢና። መሰረታዊ ሃገራዊ ሓድነትና ፍጹም ተፈልዩና ከም ዘይንፈልጥ ድማ ክረጋግጽ እፈቱ። እዚ ፍቃድ ኣምላኽ'ዩ እሞ ንፍቓድ ኣምላኽ ከኣ ዝትክእ የለን።"[39]

ብድሕሪ'ዚ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ፈደረሽን ከም ዝተሰረዘን ብምሕባር ነቲ ናይ ምጽንባር እማመ ብኸምዚ ዝስዕብ ገለጸ።

"ፈደረሽን ዝበሃል ብስምን ግብሪን ንዓና ጋሻ ምዃኑ ኣቐዲምና ዝተረዳእናዮ ኢዩ። ኣብ ታሪኽና ጓና ኣብ ሃገርና ከኣ ናይ ወጻኢ ውዲት ኣብ ርእሲ ምንባሩ ንሃገርናን ህዝብናን ዝጎድእ፡ ግቡእና ብሓባር ምስራሕ'ኳ እንተኾነ ንምዕባለናን ግስጋሰናን ዝዕንቅፍ ኢዩ።

ፈደረሽን ዝተባህለ ንምዕባለና ዝቆጽን ንግስጋሰና ዝጎድእን ብምዃኑ ወጻእተኛታት ዝሰርሕዎ ስርዓተ ምምሕዳር ኣብ ሕድነትናን መበቆልናን መሰረትና ዓቢ ጎድኣት ዘውርድ ምዃኑ ሰለዝተረዳእና፡ ባህጊን ድሌትን ህዝብና ንምንጽብራቕ ነዚ

---

[38] መደረ ንጉስ ሃይለስላሰ-ጋዜጣ ዘመን 30/6/1962
[39] ጋዜጣ ዘመን 15/11/1962

***ፈደረሽን ዝተባህለ ዝስመ መሰረት ዘይብሉ ክንሰርሖ ወሲና ኣሎና። ፍጹም ንምስራዙ ከኣ ወሲና ኣሎና። ሎሚ ንሕና ምስ ኣደና ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ተጸንቢርና ኣሎና።"***[40]

ንጽብሒቱ ጋዜጣ "ዘመን" "ዓቢ ታሪኻዊ ስራሕ" ***"ባይቶ ኤርትራ ብምሉእ ድምጺ ፈደረሽን ንኽስረዝ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ስልጣን ንዘቕረቦ ሓሳብ ብምድጋፍ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ወሲኑ።"*** ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ ኣውጺኣ።

ኣብታ ማዓልቲ እቲኣ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ካብ ቤተ መንግስቲ ኣዮቤሉ ኣዲስ ኣበባ፡ ማለት ብ15 ሕዳር 1962 ብሬድዮ ኣብ ዘመሓላለፎ መደረ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዮሃና ኢሉ። ብዛዕባ ታሪኻዊ ሓድነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡውን ብዛዕባ ጓና ዝኾነ ፈደራላዊ ስርዓትን ሓድነት መበቆልን ሃይማኖትን ባህሊን ነዊሕ ድሕሪ ምዝራቡ ከኣ እዚ ዝስዕብ ኢሉ።

***"ህዝቢ ኤርትራ በቶም ዝተጋባኡ ወከልቱ ባይቱ ኤርትራ ኣቢሉ ትግባረ ፈደራላዊ ስርዓት ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርት ዓመታት ዘስዓቦ ጉድኣት ብምርዳእን ምስ ካልኦት ኣሕዋቶም ኢትዮጵያውያን ብዘይዕንቅፋት ብሓባር ንምንባር ካብ ዘለዎ ድሌትን ብምብጋስ፡ ኣብቲ ብ14 ሕዳር 1962 ዓ.ም ብምሉእ ድምጺ ዘውጽእዎ ውሳኔኦም ፈደረሽን ክስረዝ ሓቲቶም ኣለው። ቀጣባዊ ትንስኤን ምዕባለ ህዝብን ንምቅልጣፍ ድማ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ወሲኖም። ስለዚ እቲ ሕጂ እንወስዶ ስጉምቲ ንውሳን ህዝቢ ኤርትራ ምጽዳቅ ኢዩ።"***[41]

በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ናይቲ ውሰን ቀዳመይቲ ግዳይ ዝኾነት ወግዓዊ ጋዜጣ "ዘመን" ኢያ። ሰበ ስልጣን ስማ ክጻወርዎ ሰለዝይክእሉ "ንምጽንባር" ብዝመሳሰል ስም ድማ ለወጥዎ። ነዚ ብዝምልክት እታ ጋዜጣ ድሕረ ክልተ ሰሙን ***"ድሓን ኩኒ ጋዜጣ ዘመን"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣብ ዘውጽኣቶ ዓንቐጽ ነዚ ዝስዕብ ኣስፈረት።

***"ኣብ ውሽጢ ፍቕርን ሕውነትን ዝመልኦ ኩነታት ንዓሰርተ ዓመታት ዝንኣድ ኣገልግሎት ድሕሪ ምሃቡ፡ ጋዜጣ ዘመን ዓስራይ ዓመታ በዚ ሕታምዚ ኣብቂዑ ኣሎ፡ ካብ ዝመጽእ ሰሉስ 27/11/62 ከኣ ሓደ ብህዝቢ ዝተፈተወን ክቡርን 'ሕብረት' ዝብል ሓድሽ ሽም ሒዛ ክትወጽእ ኢያ።"***[42]

ከምዚ ኢሉ ከኣ ሃጸይ ሃይለ ስላሰ ነቲ ነዊሕ ዝሓለመሉ ውጥናቱ ተራእዩ ዘይፉልጥ ህዝባዊ ጽልኢ ኣብ ዝዓብለሎ ዘይምቹእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ተግቢሩዎ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ክወስድ ከሎ ኣብቲ ድሮ ተወሊዑ ዝነበረ ሓዊ ላምባ ይኸውን ከምዝለ እንዳ ፈለጠ'ዩ።

# 3. ምዕባለ ወተሃደራዊ ስራሕ

ካብ ሓምድ ዝተሰውኣሉ ክሳብ መጨረሽታ 1963 ዝነበረ መድረኽ፡ ቀጻልነት ሰውራ ድሕሪ ሓምድ ኣብ ምርግጋጽ ዝተኮረ መድረኽ ኢዩ ነይሩ። እዚ ሓላፍነት'ዚ ከኣ ብቀንዱ ኣብቶም ካብ ሓምድ ኣርማ ሰውራ ዝተረከቡ ካብ ሱዳን ዝመጹ ኤርትራውያን ወተሃደራት ዝወደቐ ነይሩ። ኣብ ቅድሚ'ቶም ሓደሽቲ መራሕቲ ኾይኖም ዝተመዘዙ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ዑመር እዛዝ፡ ኣቡ ጥያራ፡ ዑስማን ኣቡሸነብን ማሕሙድ ዲናይን ዝነበረ ዓቢ ብድሆ ብረት ናይ ምርካብ ጉዳይ ኢዩ

---

[40] *ናይ ቅድም ምንጪ*

[41] *ዘመን* - 17/11/1962

[42] *ዘመን - ቀዳም* 24/11/1962

ነይሩ። ብዘይካ ካብ ጸላኢ መንዚዕካ ምዕጠቕ ካልእ ምንጪ ኣብ ቅድሚኦም ሰለዘይነበረ፡ በቲ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ውሑድ ኣጽዋር ካብ ጸላኢ ብረት ግድን ክምንዝዑ ነይሩዎም። ሰለዚ ከኣ ዕላማኦም ኣብ ድኹማትን ንዑላትን ንቑጣታት ፖሊስ ዘተኮረ ኮይኑ።

ቀዳማይ ወተሃደራዊ ስርሒቶም ኣብ ንቑጣ ሓልሓል ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ስርሒት ዳርጋ ኩሎም ሓላፍቲ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ዑመር እዛዝ፡ ኣቡጥያራ፡ ኣቡሽነብ፡ ዲናይን ካልኦትን ተሳቲፎም። ዑመር እዛዝ ወዲ ሓልሓል ሰለዝኾነ፡ መእተውን መውጽእን ናይቲ ዓዲ ሰለዝፈልጥ ንዋርድያ ናይቲ ንቑጣ ብሃንደበት ንምሓዝ ዘኽእል ውጥን ኣዳልዩ። ልክዕ ከኣ እቲ ስራሕ ብኽምቲ ዝተወጠኖ ብዓወት ተፈጺሙ። ኣብቲ ንቑጣ ዝነበራ ሽውዓተ ብረት ብዘይ ገለ ክሳራ ወሲዶምወን።

ብድሕሪኡ እቲ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ዝተሰውኣሉ ስርሒት ዓንሰባ ብጥሪ 1963 ተኻይዱ። ኣብዚ ኵናት'ዚ ተጋደልቲ ሰውራ 11 ብረት ሰሊቦም።

ስዒቡ ዝተኻየደ ዕውት ስርሒት **"ተልኣይ"** ብ12 ለካቲት 1963 ዓ.ም ኢዩ ነይሩ። ተጋደልቲ ንወተሃደራት ፖሊስ ኣብ ውሽጢ ገዛ ተኣኪቦም ከለው ሃጂምዎም። ናይ ጸላኢ ፖሊስ ኣብ ከባቢና ገለ ነገር የለን ብምባል ቀሲኖም እንተነበሩ፡ ተጋደልቲ ሰውራ ግን ንምንቅስቓሳቶም ብደቂቕ ይከታተሉ ሰለዝነበሩ፡ ኣብ ገዛ ከለው ሰለዝኸበብዎም ብዘይ ገለ ተቓውሞ ኢዶም ሂቦም። ዓጢቆምዎ ዝነበሩ 9 ብረት ወሲደም ከኣ ዕላማታት ሰውራ ብምብራህ ናጻ ለቒቖምዎም። ነዚ ስርሒት'ዚ ዑመር እዛዝ ኢዩ ዝመርሓ ነይሩ።

ብ8 መጋቢት 1963 ንወተሃደራዊ ቃፍላይ ጸላኢ ኣብ ጀንገሬን ኣብ ዝተገብረ ድብያ ድማ ተጋደልቲ ሰውራ 23 ፋኩስ ብረት 2 ረሻሽ (ብሬን) ሰሊቦም። ነዚ ስርሒት እዚ እውን ዑመር እዛዝ መርሒዎ።

ኣብ ክፍላ ናይዚ ዓመት'ዚ ማለት ብ28/6/1963 ብኣደም ግንድፍል ዝተመርሐ ዕውት ወተሃደራዊ ስርሒት ኣብ ሃይኮታ ተኸይዱ። ተጋደልቲ ነቲ ስርሒት ንምትግባር ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ኣውቶቡስ ተጠቒም ሲቭል ክዳን ለቢሶም ፍርቂ መዓልቲ ኢዮም ነቲ ንቑጣ ኣጥቂዮምዎ። ንኩሉ'ቲ ኣብቲ ንቑጣ ዝነበረ ልዕሊ 20 ዝበጽሕ ብረታት ጸላኢ ከኣ ሰሊቦምዎ።

ከምዚ ኢሉ ድማ ክሳብ ክፍላ 1963 ተጋደልቲ ኣሰታት 80 ብረት ካብ ጸላኢ መንዚዖም።

እቲ ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ስነ ኣእምራዊ ነውጺ ዝፈጠረን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጽልዋ ዝገደፈን ዓቢ ስርሒት ግን እቲ ብ12 ሓምለ 1962 ዓ.ም ዝተፈጸመ ውሩይ ስርሒት ቦምባ ኢድ ኣቑርደት ኢዩ።

እንድራስየ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ለትናንት ጀነራል ኣቢዪ ኣበበ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ካብቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኣሰመራ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ንኣዋጅ ምጽንባር ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ንምጥጣሕ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ፖለቲካዊ ዘመተ፡ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ብዙሓት ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝተሳተፍዎን ብዙሕ ህዝቢ ዝተረኽበሉን ብ12/7/1962 ኣኼባ ኣካየደ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ተጋደልቲ ሓንቲ ዝተፈንጀረት ካልኣይቲ ከኣ ከይተፈንጀረት ዝተረፈት ክልተ ናይ ኢድ ቦምባ ተኵሶም። ሰበ ሰልጣን ኢትዮጵያ ንጽልዋን ውጽኢትን ናይቲ ስርሒት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ክቆጻጸርዎ ሰለዘይከኣሉ ብመገዲ ወግዓዊ ጋዜጣኦም "ዘመን" ክእመኑ ተገዲዶም።

ጋዜጣ (ዘመን)[43] ሚኒስተር ፍትሕን ሕግን ዑመር ሙሓመድ ሓሰኖን ሼኽ ሳልሕ ወዲ ኣሰይድ ሙስጦፋን ዘርከብዎም ኣርባዕተ ሰባት ኣብቲ ስርሒት ከም ዝሞቱ፡ ካብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ እንድራሲየ ባዕሉ፡ እዞም ዝስዕቡ ላዕለዎት ሓለፍትን ዝርከብዎም 31 ሰባት ድማ ከም ዝቆሰሉ ተኣሚና።

1. ደጀዝማች ሓምድ ፈረጅ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ
2. ብላታ ቁሙላጩ በለጠ ተሓጋጋዚ እንድራሲየ ንጉስ
3. መልኣከ ሰላም ዲሚጥሮስ ምክትል ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ
4. ተወልደብርሃን ገብረመድህን ዳይረክተር ምምሕዳር ሓፈሻዊ መራኸቢታት
5. በላይ ገብረዝጊ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት
6. ኣለማየሁ ኪዳኑ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኣብ ቤት ጽሕፈት እንድራሲየ ንጉስ
7. ኣጠይብ ዓብደላ ፍሉይ ጸሓፊ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ

ብዘይካ'ዚ ሓደገኛነቱ ኣብ መጻኢ ጉሊሑ ዝተራእየን ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሑ ኣጽዋር ካብ ጸላኢ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ሰውራ ከም ዝኣቱ ዝገበረን ተኸታታሊ ስርሒታት'ዚ፡ ካልእ ምስዚ ስርሒታት'ዚ ተደሚሩ ኣብ ኣእምሮ ጸላኢ ዓቢ ጽልዋ ዝገደፈን ጸላኢ ኣብቲ ኣንጻር "ሽፋቱ" ዘካይዶ ዝነበረ ኵናት ተወሰኺ ሓድሽ ባእታ ምቛም ናይዚ ቀጺልና እንገልጾ ሓይሊ ኮማንዶ ከተኣታቱን ዝገደደ ክልተ ውሩይን ፍሉይን ስሪሒታት ኣብ 1963 ዓ.ም ተኻይዱ ኢዩ።

- ተጋዳላይ ስዒድ ሕሴንን ብጾቱን ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ንዝነበራ ነፈርቲ ንምብራዕ ተባዕ ፈተነ ምክያዶም። እተን ዝተደርበያ ናይ ኢድ ቦምባታት ርሒቐን ብምፍንጃረን ኣብ ልዕሊ'ተን ለም ኢለን ዝነበራ ነፍርቲ ክሳራታት ብዘይምውራደን እቲ ስርሒት'ኳ እንተ ዘይተዓወተ፡ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዓቢ ሻቅሎትን ስንባደን ፈጢሩ ኢዩ። ሰበ ስልጣን ጸላኢ ንስዒድ ሑሴን ድሕሪ'ቲ ስርሒት ሰለዝሓዙዎ ብዛዕባ'ቲ ውጥን ንኽገልጸሎም ናብቲ ስርሒት ዝተፈጸመሉ መዕርፎ ነፈርቲ ሒዞም ከይዶም። ነቲ ኣገባብ ምስ ገለጸሎም ድማ በቲ ውጥንን ትብዓት ናይቶም ተግበርቱን ኣመና ተደነቑ። ቅድሚ'ዚ ስርሒት'ዚ ብሓደ ማዓልቲ እሶም፡  ናብ ልዕሊ መኪና መራሒ ካልኣይ ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ናይ ኢድ ቦምባ'ኳ እንተ ፈንጀሩ እቲ መራሒ ግን ኣይተሃሰመን።[44]
- ገለ ካብ ኣባላት ፖሊስን ፊልድፎርስን ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያን ናብ ተጋደልቲ ምጽንባር። ውሩያት ካብ ሓይልታት ፊልድፎርስ ዝተሰለፉ ዑስማን ኣደምን ሕሴን ሻጊን ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓምድ ኣምሓራይ ይርከቡ። እንተኾነ ግን ኣንጻር ንቊጣታት ሓይልታት ፖሊስ ዝወረደ ዓቢ ጽፍዒት፡ እቲ ኣብ ጋሻ መራሒ ንቊጣ ፖሊስ ቡሹካ ዑመርዲን ሙሓመድ የሱፍ ዝተግበሮ ስርሒት ኢዩ ነይሩ። ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ኣባላት ፖሊስ ኣፋንዩ ኣብቲ ንቊጣ ዝነበረ 7 ብረት ብሲቪል ኣዕጢቁ ሒዙዎም ናብ ሰውራ ተሰሊፉ።

እቲ ዓመት ገና ከይተወድአ እንከሎ፡ ኣብ ኣጋ መጨረሽታ ማለት ብ25 ታሕሳስ 1963 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ገጠራት ባርካ ካብ ዝነበሩ

[43] ጋዜጣ ዘመን፡ ቁጽሪ 2435 ዕለት 14/7/1962

[44] ብስም ተ.ሓ.ኤ እትዝርጋሕ ጋዜጣ ሰውራ ኣብ ሰርሒት ማዕርፎ ነፈርቲ ኣሰመራ ክልተ ነፈርቲ ከም ዝዓነዋ'ኳ እንተ ገለጸት፡ ንሕና ዝገበርናዮ መጽናዕቲ ግን ሓቂ ከምዘይኮነ ኢዩ ዘረጋግጽ። ብዛዕባ'ቲ ንመራሒ ክ/ስራዊት ኢትዮጵያ ንምቅታል ዝትገብረ ፈተነ ግን ኣይጠቐስትን።

ንቀጣታት ፖሊስ ዝዓበየ ዝነበረ ኣብ ባርካ ላዕላይ ዝርከብ ንቀጣ ፖሊስ መንሱራ ተባዕ ስርሒት ተኻይዱ። ዋላ'ኳ ተጋደልቲ ብመሪሕነት ኣሕመድ ወለሎ ሙሓመድ ዓሊ ነቲ ንቀጣ ክቆጻጸርዎ እንተዘይከኣሉ፡ እቲ ስርሒት ግን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያውያን መኮንናት ዓቢ ራዕዲ ፈጢሩ ኢዩ። ነዚ ከኣ ሓደ ካብኦም፡ ኮሎኔል ከበደ ያዕቆብ ኣንጸባሪቑዎ ኢዩ። ወለሎ ተወጊኡ ምስ ተታሕዘ፡ በቲ ኮሎኔል ተሓቲቱ መልሲ ብምእባይ ጥራይ ዘይኾነ ነቲ ኮሎኔል ኣብ ቅድሚ ወተሃደራቱ ኣብ ገጹ ጡፍ ምስ በለሉ፡ ብሽጉጡ ቐቲሉዎ። ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዋላ'ኳ ነቲ ኣብቲ ዓመት'ቲ ዝተፈጸመ ስርሒታት እንተዘይተዛረብሉ፡ ንመስዋእቲ ወለሎ ከም ዓቢ ዓወት ገሊጾኦዎ። ብ28 ታሕሳስ 1963 ተሕቲማ ዝወጸት ጋዜጣ "ሕብረት" ከኣ "**ወለሎ ሙሓመድ ዓሊ ዝተባህለ ውሩይ መርሒ ሽፉቱ ተቐቲሉ**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነዊሕ ዓንቐጽ ኣቕሪባ።

ዓመተ 1963 ኣብ ተመኩሮ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብሓቂ ዝተፈልየ ዓመት ኢዩ ነይሩ። እቲ ዓመት'ቲ፡ ብፍላይ ኣብ ቀጻልነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዕብየትን ንወተሃደራዊ ዓቅሚ ጸላኢ ኣብ ምስዓርን፡ ዓቅሚ ሰውራ ዝተረጋገጸሉ ዓመት ኢዩ ነይሩ። ኣሃዱታት ሰውራ ካብቲ ጸላኢ ንምጽናተን ኣጻዊዱዎ ዝነበረ ጸቢብ ዓንኬል ብምውጻእ፡ ነቲ ኣብ ርሑቅ ከባቢታት ዝርከብ ንቀጣታት ፖሊሱ ጥራይ ዘይኮነ ንኩሉ ኣብ ባርካ፡ ጋሽን ሰንሒትን ዝርከብ ቦታታቱ ከይተረፈ ዓቢ ሓደጋ ኢየን ኮይነንኦ። ካልእ ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝተረጋገጸ ሓቂ ድማ፡ እቶም ካብ ሱዳን ዝመጹን ካብ 1956 ዓ.ም ብዕጥቃዊ ቃልሲ ዝሓለሙን ንኣብ ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ዘንቀሳቐሱን ኤርትራውያን ወተሃደራት ብቃል ዘይኮነስ ብተግባር ነቲ ዝተለዓሉሉ ዕላማ ውፈያትን ብቁዓትን ምኳኖም ኢዩ።

ኣብ ተመኩሮና ንዝተረጋገጸ ዓወት በቶም ዝመርሕዎ ኣይንገልጸን ኮይና እምበር፡ ዓመተ 1963 ዓመት ዑመር እዛዝን ግንድፍልን ምተባህለ ነይሩ። ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ጥራይ ብዘይ ዓቢ ክሳራ ልዕሊ 80 ብረት ካብ ጸላኢ ሰሊቦም። ነዚ ዓወት'ዚ ዝያዳ ክብሪ ዝህቦ ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ብረት ናይ ምርካብ ህጹጽ ጠለብ ዘማልኦ ምኳኑ ኢዩ። ህጹጽ ጠለባት ዘማልእ ዓወታት ከኣ ፍሉይ ክኸውን ግድን ኢዩ።

* * *

ዓመት 1963 ብወተሃደራዊ መዳይ ብረት ንመርካብ ብናይ ቓጻ መጥቃዕቲ ዝልለን፡ እቲ ተበግሶ ድማ ኣብ ኢድ ሰውራ ዝነበረሉን ዓመት እንተኾነ፡ 1964 ክሳብ ክፍላ 1965 ግን ብኸምዚ ዝስዕብ ዓበይቲ ኣርእስቲታት ክቕርብ ዝኽእል ፍሉይ ምዕባለታት ዝተራእየሉ ኢዩ ነይሩ።

1. ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝዓበየ ክስራታት ንምውራድ ዓበይቲ ስርሒታት ኣብ ምክያድ ተበግሶ ዝወሰደሉ።
2. ጸላኢ ነቲ ሰውራ ዘካይዶ ዝነበረ ደባይ ኵናት ኣብ ምግጣም ዝያዳ ዓቅሚ ኣለዎ ንዝብሎ ተወሳኺ ሓድሽ ባእታ ሓይሊ ኮማንደስ ምቛሙ።

ተጋደልቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ዕጥቂ ኢዮም ነይሮም። ብብርክት ዝበለ ቁጽርን ዝበለጸ ዕጥቅን ገይሮም ይንቀሳቐሱ ነይሮም። እዚ ኩነታት'ዚ ድማ ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ጸላኢ ናብ ዝዓበየ ኵናት ንኽኣትዎም ዝገበሮ ዝነበረ ውጥናት ተቐቢሎም ንኽብድህዎ ይድርኾም ነይሩ። ሰለዚ ድማ ኣብ 1964 ክልቲኦም ወገናት ኣብ ደረጃ መሰረታትን መሪሕነትን ክሳራታት ዝወረደሎም ደማዊ

ኵናት ኣካይዶም። ይኹን'ምበር ሰውራ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ጽቡቕ ሽም ዝረኸበሉን ሓይሊ ሚዛኑ ዛዕበየሉን ኢዩ ነይሩ።

1964 ዓ.ም ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ዝፈልዩ ንምብራህ ኣብ ሰለስተ ፍሉያት ውግኣት ክነተኩር ኢና። ብድሕሪ'ዚ በቲ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ መጨረሽታ 1964 ኣብ ሜዳ ኵናት ዝኣተወ ሓይሊ ኮማንድስ ክንድምድም ኢና።

ኣብቲ ዓመት'ቲ ንዓበይቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ባብ ዝኸፈት ኣብታ ኣብ ጥቓ ሳዋ ናይ ሕጂ መደበር ታዕሊም ኮይና ዘላ እትርከብ "ተጎርባ" ኣብ ወርሒ መጋቢት 1964 ዓ.ም ዝተኻየደ ኵናት ኢዩ። ኣብቲ ቦታ ሓንቲ ጋንታ ኢያ ነይራ። ንሳ ከኣ ጋንታ ዑመር እዛዝ ኢያ። መራሒኣ ዑመር እዛዝ ኣብቲ ቦታ ሰለዘይነበረ ብምክትሉ ስዒድ ኖር ኢያ ትምራሕ ነይራ። ዳሐር ብሙሓመድ ዓሊ ኣቡሪጀላ እትምራሕ መስርዕን ብዑስማን ኣቡሽነብ ዝምርሑ ገለ ሓደስቲ ተጋደልቲን ተጸንበርዎም። ክልተ ናይ ጸላኢ ወተሃደራዊ መካይን ይመጻ ከምዘለዋ ዋርድያ ምስ ሓበረ ድማ ተጋደልቲ ምስኣታተን ኵናት ንምክያድ ወሰኑ። ሓይሊ ጸላኢ መብዛሕትኡ ብናይ ኵናት ሓይልታት ኢትዮጵያ (ጦር-ሰራዊት) ዝቖመ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኵናት ንብርክት ዝበለ ስዓታት ቀጺሉ። ተጋደልቲ ኣብ ውሽጦም ልዕሊ ዓሰርተ ዝኾኑ ጻዕዳ ሲቭል ክዳውንቲ ዝለበሱ ሓደስቲ ተጋደልቲ ሰለዝነበሩ ኩነታቶም ምቹእ ኣይነበረን። ኣብ ኵናት ተጎርባ ክልቲኦም ወገናት ናይ ሂወት ክስራታት'ኳ እንተ ኣጋጠሞም፡ እቲ ዝዓበየ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ዘጋጠመ ክስራታት፡ ኣብ መንጎ እቶም ሓደስቲ ዝወረደ'ዩ ነይሩ። ብወገን ሰውራ ነቲ ኵናት ሙሓመድ ዓሊ (ኣቡሪጃላ) መሪሑ።

ወተሃደራዊ ኣገዳስነት ኵናት ተጎርባ ኣቃሊልካ ዝጥመት ኣይነበረን። ብዓቕን ናይቲ ክሳራታት ጥራይ ብወተሃደራዊ ሸነኽ ክብደት ናይቲ ኵናት ክትግምግም ይከኣል ኢዩ። ተጋደልቲ 17 ሰውኣት ክኸፍሉ ከለው፡ ጸላኢ ካብዚ ዝተጠቕስ ኣሃዝ ኣዝዩ ዝበዝሐ ከም ዝኸሰረ ኣብ እዋኑ ተጋሊጹ ነይሩ። እንተኾነ ግን ካብቲ ወተሃደራዊ ሸነኽ ፖለቲካዊ ኣገዳስነት ናይቲ ኵናት ኣዝዩ ዝዓበየ ነይሩ። እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ህዝቢ ዝዘርግሐ ዜናታት ናይቲ ኵናት፡ ነቲ ዝተረጋገጸን ከረጋገጽ ዝምነዮ ዝድለ ዝነበረን ከይተረፈ ክውን ከም ዝኾነ ገይሩ ኣገኒኑ ምዝውታሩ ኢዩ። እቲ ብኣፍ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ህዝባዊ ዜናታት ናብቲ ዓቢ ሓባራዊ ስራሕ ንምስላፍ ብዝድርኽ ኣገባብ ይፍኖ ሰለዝነበረ፡ ምስላፍ መንእሰያት ኣብ መሳርዕ ተጋደልቲ ንኽስለፉ ኣተባብዑ። ኣብ ከተማታት ከይተረፈ ብዙሓት ካብ ዝተፈለለየ ክፍልታት ሕብረተሰብ ናብ ሓፋሽ ውድባት ተ.ሓ.ኤ ከም ዝውድቡ ገይሩ።

እተን ካልኦት ክልተ ውግኣት ከኣ እተን ኣብ ሚያዝያን ነሓሰን ዝተካየዳ ኢየን። ብወገን ጸላኢ ነተን ክልተ ውግኣት ዝመርሐ ኣብቲ እዋን'ቲ ከም ሓደገኛ ተርኣዩ መዛረቢ ኮይኑ ዝነበረ ሻምበል ያሲን በሺር ኢዩ። ንሱ ሓደ ካብቶም ድሕሪ ኵናት ተጎርባ ንሰውራ ኤርትራ ከጥፍእ እየ ኢሉ ፈኪሩ ዝተላዓለ ሓደ ካብ መራሕቲ ፖሊስ ኢዩ። ሻምበል ያሲን በሺር ግሰጋሰ ተጋደልቲ ናብ ከበሳ ንምዕጋትን ኣብ ጎላጉል ባርካ ንምጥፍኦምን ዳርጋ መዓልታዊ ኵናት እናካየደ ኣብ ባርካ ላዕላይን ምዕራባዊ ገማግም ኣውራጃ ሰራየን ይንቀሳቐስ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኾኾብ ሻምባል ያሲን ሰማይ ዓሪጉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምንቅስቓሳቱን ውጽኢቱን ንህዝቢ፡ ብፍላይ ከኣ ንተቐማጦ ናይቲ ሜዳ ዓውደ ውግእ ኮይኑ ዝነበረ ከባቢታት ባርካን ሰራየን ኣመና ዘሻቕል ኮይኑ። ሻምበል ያሲን ድሕሪ ሓንቲ ካብተን ዘካየድን ውግኣት ንሱ ኣብ

ዘይሃለወሉ እዋን ብንጉስ ሃይለ ስላሰ "ቀዳማይ ደረጃ ኒሻን ሃይለ ስላሰ[45]" ተሸሊሙ እቲ ኵናት ኣብ ባርካ ላዕላይ "መሓዝ ቐጢን" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብ20 ሚያዝያ 1964 ዓ.ም ኢዩ ተኻይዱ። ኣብቲ ኵናት ብወገን ሰውራ ክልተ ፍሉጠት መራሕቲ ዑመር ናስር ሹምን ዑስማን ኣደምን ተሰዊኦም፡[46] እንተኾነ ግን ያሲን በሺር ናብ ኣስመራ ተመሊሱ ኣብ ስነ ስርዓት ምሽላም ኒሻኑ ኣብ ክንዲ ዝሳተፍ፡ ንተጋደልቲ ሰውራ ክሃድን መሪጹ። ይኸን እምበር ኣብቲ ብ19 ነሓሰ 1964 ዓ.ም ኣብ ሰራየ "ዓንቦሪ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ዝተኻየደ ኵናት ተቐቲሉ። ኣብዚ ኵናት'ዚ ሕሴን ሻጊን[47] ኣብ ሶርያ ዝሰልጠነ ዓብደልውሃብ ፍትዊን ዝርከብዎም ገለ ተጋደልቲ ተሰዊኦም።

ንሻምበል ያሲን ኒሻን ንምሽላም ብ6 ጥሪ 1965 ኣብ ግቢ ኣስመራ ኣብ ዝተገብረ ስነ ስርዓት መራሒ ፖሊስ ኤርትራ ብርጋደር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ ብዛዕብኡ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ። "ብ11 **ሚያዝያ 1956 (ብኣቆጻጽራ ግእዝ) ሻምበል ያሲን በሺር ምስ ሓደ ላዕለዎት ግብረሽበራውያን ዝምራሕ ዝነበረ ዓቢ ጉጅለ ሽፋቱ ኣብ 'መሓዝ ቐጢን' ዝተባህለ ቦታ ብምግጣም ነቲ ጉጅለ ምስ ሓላፊኡ ደምሲሱዎ። ሹዑ ሻምበል ያሲን 'የጀብደኞች ኒሻን' ዝተባህለ ቀዳማይ ደረጃ ኒሻን ቐዳማዊ ሃይለ ስላሰ ንኽሽለም ተወሰነ። እንተኾነ ግን ሻምበል ያሲን ቅድሚ ምሽላሙ 45 ፖሊስ ብምሓዝ ንሽፋቱ ክሃድን ሰለዝመረጸ ኣብ ኣውራጃ ሰራየ 'ዓንቦሪ' ኣብ ዝተባህለ ቦታ ምስ ሰለስተ ዕጽፊ ዝዛይድዎ ናይ ሽፋቱ ደባይ ኣሃዱታት ንኣርባዕተ ስዓታት ዝቐጸለ ኵናት ኣከየደ። ኣብቲ ኵናት ካብ ፍሉጣት መራሕቲ ሽፋቱ 4 ክቀትል ከሎ፡ ብዙሓት ድማ ኣቍሲሉ። ብድሕሪ'ዚ ጅግና ያሲን በሺር ምስ ሓደ ፖሊስ ብጥይት ሽፋቱ ተወጊኡ ሞይቱ።**"

ምቅትልቲ ያሲን በሺር እቲ ብ300 ወተሃደራት ዝቆመ ቀዳማይ ዙርያ ተዓለምቲ ሓይሊ ኮማንድስ ይምረቕ ኣብ ዝተቓረበሉ ግዜ ሰለዝተፈጸመ፡ እቲ ዙርያ ብ 3 መስከረም 1964 ኣሰራተ ካሳ ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ክምረቕ ከሎ። "**ዙርያ ሻምበል ያሲን በሺር**" ተባሂሉ ተሰምዩ።[48]

ያሲን በሺር ንተጋደልቲ ክጽንት ክሳብ ክንደይ ዓጢቑ ከምዝነበረን ኣብ ልዕሊኦም ዝነበሮ ክቱር ጽልእን ዘንጸባርቕ ዘካየዶ ፍሉይ ፍጻመ ከኣ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኵናት ዑመር ናስር ሹም ምስ ተሰወአ ያሲን በሺር ንስዓቱን ካትሙን ብምስላብ ነታ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝነበረት ሰበይቲ ስውእ ዑመር ናስር ብምርኣይ ዕድል ሽፋቱ ከምዚ'ዩ ክብል ገሊጹላ። ክልቲኦም ነናቶም ምርጫ ብምውሳድ ቅድሚ ምፍልላዮም ብሓባር ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ሰለዝነበሩ ጥቡቕ ምትእስሳር ነይሩዎም ኢዩ። ሰበይቲ ስውእ ብወገና ንስኻ'ውን ሓደ መዓልቲ ተመሳሳሊ ዕድል ይጽበየካ ይኸውን ኢላ መለስትሉ። ያሲን በሺር ምስ ተቐትለ ድማ ተጋደልቲ ስዓትን ኻትምን ዑመር ናስር ሹም ኣብ ኢዱ ጸኒሑዎም ምስታ ዓጢቁዋ ዝነበረ "ኡዚ" ዝዓይነታ ብረቱ ሰሊቦም። ነታ ስዓትን ኻትምን ናብ ሰበይቲ ስውእ ዑመር ናስር ሹም

---

[45] ጋዜጣ ሕብረት 7/1/1965

[46] ሰርጀንት ዑመር ናስር ሹም ኣባል ፖሊስ ኤርትራ ብድፍኢት "ሓረካ" ንናይ ፖሊስ ተቓውሞ ኣንጻር ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ብምምራሕ ኣብ 1962 ዓ.ም ካብ ምጽዋዕ ናብ በረኻ ዝወጸ'ዩ። እንተ ዑስማን ኣደም ካብ ሓይልታት ፊልድፎርስ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ 1963 ብረቱ ሒዙ ናብ ሰውራ ዝተሰለፈ'ዩ።

[47] ካብ ሓይልታት ፊልድፎርስ ምስ ብረቱ ኣብ 1963 ናብ ሰውራ ተሰሊፉ።

[48] ኣብዚ ኵናት'ዚ ካብ ክልቲኡ ወገናት ዝተሳተፉ ብዝሕን ተጠቂሶ ዘሎ ክስራታትን ዕቓበታት ኣሎና። ምኽንያቱ ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚታት ዝበሃል ዘረባታት ካብ ኮነ ኢልካ ዝቐርብ ኣጋናኖታት ናጻ ክኸውን ሰለዘይክእል። (ንዝርዝራቱ ብ7/1/1965 ጋዜጣ ሕብረት ቁ.521 ተወከስ)

ልኢኾምውን። ንሳ ድማ ናብ ሰበይቲ ያሲን በሺር ከይዳ ኣርእየታ። ሰብኣያ ዝበላ ድማ ሓበሬታ፡ ናይ ተዋጋእቲ ዕድል ከምኡ ምኳኑ ከኣ ክልቲኣን ተረዳድኣ።[49]

## 4. ምቛም ሓይሊ ኮማንድስ

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ምቛም ሓይሊ ኮማንድስ ሓይልታት ፖሊስን ፊልድፎርስን ጦርሰራዊትን ንግስጋሰ ናይ ሰውራ ክዓግቱ ሰለዘይካኣሉ ኣብ ናይ ደባይ ኲናት ዝላዓለ ክእለት ዘለዎ ተወሰኺ ሓድሽ ባእታ ንምትእትታው ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ሓደገኛ ሸነኽ ምቛም ናይዚ ሓይሊ'ዚ ንሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ነቲ ውግእ ናይ ሓድሕድ ኲናት መልክዕ ምሃብ'ዩ ነይሩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ፡ ንኣመንቲ ምስልምና ብምክልኻል ሓይሊ ኮማንድስ ብኣመንቲ ክርስትና ጥራይ ከም ዝቐውም ተገይሩ። እንተኾነ ግን ሓርነታዊ ኣተሓሳስባታትን ዕላማታትን ኣብ ውሽጢ ኣብ ከተማታት ዝርከቡ ክርስትና ይኹኑ ምስልምና ምሁራት መንእሰያት ተዘርጊሑ ሰለዝነበረ፡ ከምዚ ዓይነት ኣቓውማ ድማ ከዕወት ኣሸጋሪ ሰለዝኾነ ብቀሊሉ ሓንጎሎም ሓጺብካ ንዝተባህልዎ ዝገብሩ ንምርካብ እቲ ምኽታብ ኣብ ውሽጢ መሃይምነት ዘየጥፍኡ ክርስትያን ጥራይ ንኽሕጸር ተወሲኑ። እቶም ዝዕስከሩ ባእታታት ንምምራጽ ዝተመዘዙ መራሕቲ ክሳብ ክንደይ ካብቶም ዝቐርብዎም ኣዝዩም ደናቑርን ማሃይምነት ዘየጥፍኡን ይመርጹ ከምዝነበሩ ዝሕብር ብሰፊሑ ዝዕለለሉ፡ ገለ ካብቶም ዘቅርቡሎም ዝነበሩ ሕቶታት "**ደርሆ የሽየን ድዩ?" "ብቅሊ ትወልድ ድያ?"**... ወ.ዘ.ተ ዝብል ኮይኑ እቲ መልሲ እወ ምስ ዝኸውን ሕጹይ ተዓዊቱ ማለት ኢዩ ዝብል። ልክዕ'ዩ ከምዚ ዓይነት ዘረባታት ዝተጋነነ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እነተኾነ ግን ጸላኢ ነቶም ሓቀኛ ትርጉም ናይቲ ቃልሲ ዘይፈልጡ ወይ ንቅሓት ዘይብሎም ሰባት ኣብ ምምራጽ ክሳብ ክንደይ ጥንቁቕ ከምዝነበረ ጉሊሑ ዝርኣየካ ኢዩ።

ካብዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ዛንታ ብዙሕ ዘይርሕቅ ንመራሒ ፖሊስ ኤርትራ ዝነበረ ብርጋዴር ጀነራል ዘርእማርያም ኣዛዚ ዝቐረቡ ምንጪታት ዝዝንትውዎ ዕላላት እውን ኣሎ። ብርጋዴር ጀነራል ዘርእማርያም ኣዛዚ ምስ ሰውራ ይደናገጽ ሰለዝነበረ፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ካብ ክርስትያን ደቂ ዓዱ "**መንሳዕ**" ናብ ሓይልታት ኮማንድስ የዕስክር ነይሩ። ሰለምንታይ ከምኡ ከምዝገብረ ምስ ተሓተተ ድማ ንዓዱ ካብ እከይ ተግባር ናይዚ ሓይሊ'ዚ ንምድሓን ከም ዝገበሮ ገሊጹ ይብሃል።

እዚ ብእስራኤላውያን ክኢላታት ዝተመልመለን ቀዳማይ ዙርያኡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ብ3 መስከረም 1964 ዝተመረቐን ተኸታተልቲ ዙርያታት ዝስዓብዎን ሓይሊ'ዚ ኣንጻር ተጋደልትን ዕላማታቶምን ጽዑቕ ጎስጓስ ተኻይድሉ ኢዩ። ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ፡ ንተጋደልቲ ከም መጋበርያ ሃገራት ዓረብን እስላምን ክርስትያን ቦታ ዘይብላ እስላማዊት ሃገር ንምቛም ዝሰርሑን ገይሩም ይገልጽሎም ነይሮም።

ሓይሊ ኮማናድስ ኣብ መጨረሽታ 1964 ኣንጻር ሰውራ ኣብ ሜዳ ዓውደ ኲናት ምስ ወረደ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ሓይልታት ንኲናት ዝያዳ ድልው'ዩ ነይሩ። ምድምሳስ ሰውራ ድማ ለይትን መዓልትን ዝጽዕረሉ ፍሉይ ዕማሙ ኮይኑ።

---

[49] እዚ ዛንታ'ዚ ኣብ እዋኑ ይዝረበሉ'ኳ እንተበነረ ምስ ግዜ ግን ተረሲዑ። ሕጂ ከም እንደገና ዘዘንተዎ ሓደ ካብ ቀዳሞት ተጋደልቲ ዝኾነ ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ከም ሓላፊ ዕጥቂ ዝሰርሓ ተጋዳላይ ዑስማን ኣሕመድ ሳልም ኢዩ። ንሱ ብ22/6/2006 ኣብ ጊንዳዕ ንደራሲ ነዚ ሓበሬታ'ዚ ሂቡዎ።

ካብ በይሩት ብተ.ሓ.ኤ. ተሓቲማ  ትወጽእ ዝነበረት ጋዜጣ ሰውራ ነቲ ሓይልታት ኮማንድስ ምስ ኣሃዱታት ሰውራ ክሳብ ሓምለ 1965 ዘካየድዎ ዝነበሩ ውግኣት ትዝርግሐ ነይራ። እዚ ሓይሊ'ዚ ናብ ርሑቅ ከባቢታ፡ ክሳብ ሰሜናዊ ሳሕል ከይተረፈ ይበጽሕ ነይሩ። ሓይሊ ኮማንድስ ኣብ መስርዑ ዝወርዶ ክስራታት ብዘየገድስ ኣንጻር ሰውራ መዳርግቲ ብዘይብሉ ቆራጽነት ተዋጊኡ ኢዩ። ምስ ምስልጣን ተወሰኽቲ ዙርያታት ድማ ምስ ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ 1967 ዝተፈጸመ ናይ ጅምላዊ ህልቂት ውጥን ንምትግባር ብምስታፍ ንጥፈታቱ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብጽሑዎ ኢዩ።

# 5. ሽግራት መሪሕነት

ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መዳይ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ብዘይካ'ቲ፡ ኣብ መጨረሽታ 1962 ዑስማን ሳበ ናብ ሜዳ ዝገበሮ ሓጺር ዑደትን ኣድማዕነት ዘይነበሮ ኣብ ሜዳን ከሰላን መሪሕነት ዘቆመሉን እዋን ገዲፍካ ኣብዚ ኩሉ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ ኣብ ሜዳ ህላወ ኣይነበሮን። መሪሕነት ሜዳ ንጣህር ስልም'ዩ ተረኪቡ። ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ከሰላ ምክትሉ ከኣ ዲናይ ነይሩ። ስለዚ ጣህር ሳልም ምስ መራሕቲ ሓንሳብ ኣብ ከሰላ እንሓንሳብ ከኣ ሓጺር ዑደት ናብ ሜዳ ብምፍጻም ምስቶም መራሕቲ እናተራኸበ ነቲ ስራሕ የካይድን መምርሒታት ይህብን ነይሩ። ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ሜዳ ብሰንኪ ዘይምንባሩ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ጾር ብቐንዱ ናብቶም ካብ ሱዳን መጺኦም ዝተሰለፉ ኤርትራውያን ወተሃደራትን ካብ ፖሊስ ኤርትራን ሓይልታት ፊልድፎርስን ዝተሰለፉን ኢዩ ወዲቑ።

ወተሃደራውያን መራሕቲ ብሓደ ወገን ብረት ንመርካብ፡ በቲ ካልእ ድማ ካብ ጸላኢ ዝመጽም ዝነበረ መጥቓዕትታት ነብሶም ንምክልኻል ቅንዲ ኣትኩሮኦም ኣብ ወተሃደራዊ ስራሕ ስለዝነበረ ንፖለቲካዊ ስራሕን ምውዳብ ሓፋሽን ዝዋቐስ ተገዳስነት ይህብሉ ኣይነበሩን። ናይዞም መራሕቲ እዚኣቶም ድሩትነት ዓቕሚ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዳያትን ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን ስራሕ ተራኡ ዝጻወት ብቁዕ ካድር ዘይምንባሩን ኣብ ግምት ምስ እነእቱ ከኣ ሳዕቤን ናይ መሪሕነት ዘይምንባርን ኣብ ከምዚ ዘኣመሰለ ኩነታት ዝፍጠር ምትእስሳር ህዝቢ ምስ ሰውራኡ ክሳብ ክንዳይ ልሕሉሕ ከምዝኸውንን ክበርሃልና ይኽእል።

- ምትእስሳር ህዝቢ ኣብቲ ተጋደልቲ ዝንቐሳቐሰሉ ዝነበሩ ገጠራት ኤርትራ ምስ ሰውራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ናይ ምውጻእ ዝመበገሲኡ ሃገራዊ ስምዒትን ምድንጋጽን እምበር፡ ኣብ ኣወዳድባ ዝተሰርተ ሓላፍነታትን ተራን ዝውስን ንባህሪ ናይቲ ኵናት ዝርዳእ ንቁሕ ተሳትፎ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት ከኣ ተራ ህዝቢ ኣብ ገጠራት ብግብሪ ንተጋደልቲ መግቢ ኣብ ምቕራብን ብዛዕባ ጸላኢ ሓበሬታታት ኣብ ምእካብን ኣብ መንጎ መራሕነትን ኣሃዱታትን መራሕትን ናይ ውሽጢ ከተማታት ስርዒታትን ናይ ምልእኣኽ ኣገልግሎት ምፍጻምን ዝተሓጽረ ነይሩ። ስለዚ ከኣ እቲ ስራሕ ኣብቶም ናይ ገጠር ዝያዳ ንጡፋት ባእታታት ይወድቕ ነይሩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ብዘይ ዕረፍቲ ንኹሉ ዕማማት ዝፍጽም፡ ሕሙማትን ውጉኣትን ዝቕበል ናይ መግብን መጓዓዝያን ኣገባባት ዝቕርበሎም ንወተሃደራዊ ንብረት ዝኽዝንን ዘጓዓዕዝን ንህዝቢ መምርሒታት ዝህብ ጠለባት ተጋደልቲ ከም ክዳውንቲ ጫማታት፡ መድሃኒት ካብ ከተማታት...ወዘተ ዝቕርብ ዓይነት ካድር ተፈጢሩ። እዞም ንጡፋት ባእታታት እዚኣቶም ድማ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ ዳርጋ ከም መተካእታ ናይ ኣወዳድባ ኮኑ።  ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ነዚ ኩሉ ዝተጠቐሰ ስርሓት ዘሳልጥን ኣብ ምንቅስቓስ

ንጡፋት ብዝኾኑ ዝኣምኖም መንእሰያት እናተሓገዘ ለይትን መዓልትን ዝሰርሕን ኣንተ ዋሓደ ሓደ ሰብ ነይሩ። ኣብቲ እዎን'ቲ እቲ ተጋደልቲ ኣብ ዝበጽሕዎ ቦታ ዝረኸብዎ ዝነበሩ ደገፍን ህዝቢ ኩሉ ዓይነት መግቢን ኣገልግሎት ንኽቅርበሎም ዘርእዩ ዝነበረ ድልውነትን ንኣገዳስነት ኣወዳድባ ዓብሊሉዎ ኩሉ ስርሓት ብውልቃዊ ተበግሶታትን ሃገራዊ ምድንጋጽን ከም ዝካየድ ገይሩ። እቶም ውልቀ ሰባት፡ እቶም ዓበይቲ ዓዲ ሰለዝነበሩ ከኣ ብቋንቋኦም ንህዝቢ ብዕላማታት ሰውራ ኣብ ምንቅቓሕ ናይ ካድር ተራ ይጻወቱ ናይሮም። በቲ ዝነበሮም ማሕበራዊ ቦታ ተጠቒሞም ከኣ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ሰውራኡ ከም ዝኸውንን ንሰውራኡ ከም ዝሕግዝን ይገብሩ ነይሮም።

- እንተ ኣብ ከተማታት እቲ ኩነታት ዝተፈልየ ነይሩ። እተን በመሰረቱ ናይ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ስርዒታት ዝነበራን ናብ ናይ ጀብሃ ስርዒታት ዝተለወጣን ይውሓዳ ይብዝሓ ብዘየገድስ፡ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝጸንሓን ኣብ ስርዒታዊ መደይ ብመጠኑ ተመኩሮ ብዘለዎም መሪሕነታት ብምምርኳስ ኢየን ቆይመን፡ ነቲ ስራሕ ዝጀመራ። ብዘይካ'ዚ እቲ ናይ ውሽጢ መሪሕነታት ብመጠኑ ፖለቲካዊ ንቕሓት ሰለዝነበሮም ናይ ጀብሃ ምስጢራዊ ስርሓት ኣብ ምምራሕን ከም ንኡስ መሪሕነታት ፖለቲካዊ ጎስጓስን ምውዳብን ኣብ ምክያድን ወርሓዊ ክፍልታት ኣብ ምእካብን ጠለባት ተጋደልቲ ገዚእካ ናብ መራሕቲ ኣሃዱታት ኣብ ምልኣኽን ብቅዓት ነይሩዎም። እዘን ጨንፈራት እዚኣተን ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ዝሓመሙ ተጋደልቲ እናተቐበላ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት እውን ይህብኦም ነይረን።

- ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ዝርከባ ከም ከተማታት ከረን ኣቑርደት፡ ባረንቱ፡ ጎሉጅ፡ ኦምሓጀርን ተሰነይን እተን ዝያዳ ምስ ተጋደልቲ ምትእስሳር ዝነበረን እየን ነይረን። እቲ ምኽንያት ከኣ ንጥፈታት ተጋደልቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብቲ እዘን ዝተጠቕሳ ከተማታት ዝርከበሉ ከባቢ ዝተሓጸረ ብምንባሩ ኢዩ። ንንጥፈታት ናይዘን ጨንፈራት እዚኣተን ንምውህሃድ ከኣ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ማእከልነት ከም ዝቆመለን ተገበረ። እዛ ብኮሚተ ጨንፈር እታ ከተማ ዝተወከለት ማእከልነት እዚኣ ከም መሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕን ሳልሕ ሙሓመድ ሰዒድን ዝኣመሰሉ ልሉያት ባእታታት ነይሮማ። ማእከልነት ከተማ ኣቑርደት ምስቲ ብጣህር ሳልም ዝምራሕ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ከሰላ ብምውህሃድ ኢያ ቆይማ። ዕማም ናይቲ ማእከልነት መምርሒታትን ምኽርን ንጨንፈራት ምሃብ፡ ነቲ ኣብ ከሰላ ዝሕተም ዝነበረ ጹሑፋት ተ.ሓ.ኤ. ምዝርጋሕን ብመገዲ'ቶም ኣባላት ውድብ ዝነበሩ ፖሊስ ኣቢልካ ናብ ንቀጣታት ፖሊስ ዝዝርጋሕ ጽሑፋት እንተሎ ከኣ ንጨንፈራት ምሕባርን ኢዩ ነይሩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ ኣብተን ከተማታት ንስራሕ ዘወሃህድን እትውከሰሉ መሪሕነት ዘለዎን ዓይነት ኣወዳድባ ተፈጥረ። መራሕቲ ኣውቶብሳትን ፈተሪኖታትን ደብዳቤታትን ጽሑፋት ውድብን ካልእ ከም መድሃኒት ቦምባታትን ሽጓጉዋን ብምብጽጻሕ ከኣ ኣብ መንጎ ማእከልነትን ጨንፈራትን ኣድማዒ ርክባትን ምውህሃድን ኣብ ምፍጣር ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም።

- እንተ'ታ ንጡፍ ጨንፈር ዝነበራ ከተማ ምጽዋዕ ብመገዲ ንግስነት ስዑዲ ዓረብን የመንን ኣቢላ ምስ ላዕላዋይ ባይቶ ኢያ ትተኣሳሰር ነይራ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንንጥፋታት ናይቲ ጨንፈር ይከታተልን መምርሒታት ይህብን ነይሩ። ንኩሉ ኣብ ምጽዋዕ ዘጋጥምን ዝካየድን ዝነበረ ፍጻመታት ከኣ ንእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ይሕብሮ ነይሩ።

- ከተማ ኣሰመራ ብዝምልከት ኣብ መጨረሽታ 1962 ዝተመሰረተ ጨንፈር'ኳ እንተነበራ፡ ናይ ሓበሬታን መምርሒ ስራሕን ሕጽረት ነይሩዎም። ሰለዚ እቲ ሰራሕ ብምልኡ ኣብ ውልቃዊ ተበግሶ ናይቶም ነቲ ሰራሕ ዘካይዱ ሰባትን ኣብ ንጡፋት

ተማሃሮን ኢዩ ዝምርኮስ ነይሩ። ብፍላይ ተማሃሮ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ህለወ ኢትዮጵያ ርኡይ ጽልኢ ሰለዝነበሮም፡ ካብ ውሽጦም ስምዒቶም ዘበራብርን ናብ ሓርነታዊ ቃልሲ ንኽጽንበሩ ዝድርኾምን ኣድማታት ንኽካይዱ ዝውድቦምን ንጡፋት መራሕቲ መልሚሎም ኢዮም። ሰለዚ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ዋና ከተማ ኣሰመራ ነቲ ሃገራዊ ስምዒት ዝነበሮ ምሁር ክፍሊ ሕብረተሰብን ንምውድብ ዝዓለመ ንቁሕ ፖለቲካዊ ስራሕ ንምክያድ ብወገነ መሪሕነት ሰውራ ንጹር ፖሊሲ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ሰለዚ ድማ እቲ ጉዳይ ንውልቃዊ ተበግሶታት ዝተገድፈ ኢዩ ነይሩ። ውልቃዊ ተበግሶታት ድማ ከምቲ ብዙሕ ግዜ ዝተረኣየ ከቢድ ጸገማት ኣብ ዘጋንፈሉ ግዜ ንውድቐት ዝተቓልዐ ኢዩ።

እታ ንኩሉ ሕሉፍ ቃልስታት ናብ ተግባር ዘሰጋገረት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኣስመራ ዋህዮታት ዕጥቃዊ ሰውራ ኣብ ምዝራእን ባህርያዊ መሪሕ ቦታኡ ንኽሕዝ ኣብ ምምዕባሉን ዝሕግዛ ጥጡሕ ባይታ ነይሩዋ ኢዩ። ተ.ሓ.ኤ. ከምዚ ዝኣመሰለ ሰራሕ ካብ መጀመርታ ኣካይዳቶ ነይራ እንተትኸውን ከኣ፡ ኣብቲ ዝጀመረቶ ዓቢ ሃገራዊ ስራሕ ንኩሉ ክፍሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ዝዕዘብን ግዳይ ናይ ጸላኢ ጎስጓስ ኣንጻር ሰውራ ዝኸውን ዝነበረን ህዝቢ ከበሳ ከተሳትፎ ምኽኣለት ነይራ።

* * *

ኩነታት ናይቲ ካልኦት ከተማታት፡ ከም መንደፈራ፡ ደቀምሓረን ዓዲቐይሕን ከምቲ ናይ ኣስመራ ኢዩ ነይሩ ክብሃል ይካኣል። ብሰንኪ ሕጽረት ናይ ኣወዳድባ ኣብዚ ከተማታት እዚ ዝርከቡ ሃገራውያን ነቲ ምስ ሰውራ ዘለዎም ምድንጋጽ ብዝጥዕሞም ኣገባባት ኢዮም ዝገልጽዎ ዝነበሩ። ብዛዕባ ዕላማታት ናይ ሰውራ ምዝራብ፡ ዝስምዕዎ ዝነበሩ ዓወታት ናይ ሰውራ ምዝርጋሕ፡ ንነዊሕ ስዓታትን ማዓልትታትን ብእግሮም እናተጓዓዙ ናብ ኣሃዱታት ሰውራ ምስላፍ፡ ገለ ካብቲ ደገፎም ንሰውራ ዝገልጽሉ ዝነበሩ ኣገባባት ኢዩ።

ካብዚ ኩሉ እንርድኦ እንኽእል ከኣ፡ ካብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተጀመረሉ ክሳብ ክፍላ 1965 ንህዝባዊ ስርሓት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዝመርሕ ማእከላይ መሪሕነት ከምዘይነበረ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ኩሉ ስርሓት ኣብ ምውህሃድ ዝጓደሎ ተበግሶታት ጨንፈራትን ካድራቱን ኢዩ ዝምርኮስ ነይሩ። ብሰንኩ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ጨንፈር ናቱ ኣገባባትን መገዲታትን ንኽክተል ተገደደ። ከምቲ ዝራኣናዮ ጨንፈር ምጽዋዕ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ብቐጥታ ክራከብ ከሎ፡ ጨንፈራት ምዕራባዊ ቆላ ድማ ምስ ቤት ጽሕፈት ከሰላ ብከተማ ኣቑርደት ተማእኪለን ይራኸባ ነይረን።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝተዓዘብናዮ፡ ላዕላዋይ ባይቶ ኣብ ጉዳይ ኣወዳድባን መሪሕነትን ፍጹም ይግደስ ኣይነበረን። እቲ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ይኹን ምውዳብ ሓፋሽ ውድባት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ብዝምልከት ዝተራእየ ምዕባለ ብመሰረቱ ብሳላ ተበግሶ ናይቶም ንኣገባብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝኣመኑ ናይ ውሽጢ መራሕቲ እምበር፡ መሪሕነት ውድብ ብዘዳላዎ ውጥናትን ፕሮግራማትን ብቑዕ ስርዒታትን ዝመጸ ኣይኮነን። ላዕለዋይ ባይቶ ንዋና ከተማ ኣሰመራ ምጉሳዩ፡ ካብቲ ኣብ ኣመራርሓን ውዳበን ዝነበሮ ርኡይ ጉድለት ጥራይ ዝተበገሰ ዘይኮነስ፡ ካልእ ነቲ ባይቶ ዝደረኾ ረቛሒታት እውን ነይሩ ኢዩ። ኣባላት ላዕላዋይ ባይቶ፡ ኤርትራውያን

ክርስትያን ኣብ ሃገራዊ ናጽነት እምነት ሰለዘይብሎም ኣብቲ ዝተኣወጀ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክሳተፉ ኣይክኣሉን ኢዮም ዝብል ጽኑዕ እምነት ነይሩዎም። ንኣብነት ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ7 ሕዳር 1961 ዓ.ም ናብ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ዝጻሓፎ መልእኽቲ፡ **"ኣነ ባዕለይ ክርስትያን ንምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ይቃለሱ ኢዮም ኢለ ኣይኣምንን እየ። እቲ ኩሉ ምስኦም እንገበሮ ናይ ቀልዓለም ርክብ ከኣ ሽራ ዘይወሰድ መርገጺ ከምዝህሉዎም ንምግባር ኢዩ"** ክብል ገሊጹ። እዚ ብናይ ሕሉፍ ተመኩሮ ዝተገዝእ ዘረባ'ዚ ምስቲ እታ ደብዳበ ከትጽሓፍ ከላ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝሳነ ኣይነበረን።

ኣብ ኣሰመራ ዕላማታት ሰውራ ዘይምዝርጋሕን ህዝባዊ ተሳትፎ ንምምዕባል ዘይምስራሕን ነቲ ሰውራ ኣብ ውልደ ዕድመኡ ክኸሰቦ ዝነበሮ ንናይ ጸላኢ ድኹመታት ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ሰፊሕ ሓይሊ ምኽሳር ኣስዒቡ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ተሳትፎ ከኣ ንመግዝእተዊ ህለወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ክሕጽሮ ይኽእል ነይሩ። ይኹን'ምበር ብሰንኪ እዚ ሕጽረት'ዚ፡ ጸላኢ ን ተረፍ መረፍ ናይ ሰልፊ ኣንድነትን ኣብ ሰላምን ርጉእን ዝኾነ ኩነታት ዕላማታቶም ንኸትግብሩ ዕድል ሂቡዎም ኢዩ።

**ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ፡** ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ ኣብ ሜዳ ተፈላጥነት ዝነበሮ ውጥናት ዘውጽእን ዕማማት ዘመቃረሕን ዝቆጻጸርን ወተሃደራዊ መሪሕነት ኣይነበረን። ብዝኾነ ግን እዚ መደረኽ'ዚ ብዙሕ ዘይበርሀ ነገራት ሰለዝለዎ ክሳብ እኹል ሓበሬታታት ዝርከብ ብሓፈሻዊ መልክዕ እንተዘይኮይኑ ኣብ ዝርዝር ምእታው ዝከኣል ኣይኮነን።

እቲ ብዝያዳ ዘይብሩህ ግዜ ከኣ ካብ መስዋእቲ ሓምድ ዓዋተ 6/1962 ክሳብ መጀመርታ መድረኽ ጣህር ሳልም (ምናልባት ክሳብ ክፍላ 1963) ዘሎ ኢዩ። ማለት ግዜ ናይታ ብሓሙሽተ ኣባላት ዝቆመት መሪሕነት እትብሃል። እቲ ብፍላይ ኣብ ግዜ ናይ ኣቡጥያራ ዝተራኣየ ሽግራት ብዛዕብኡ ብዙሕ ክትዓት ሰለዘሎ፡ ክትዛረበሉ ዘይከኣል ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ነዚ መደረኻ'ዚ ሰጊርና ዋላ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ብዛዕባ መድረኽ ጣህር ሰልም ክንዛረብ ኢና።

ድሕሪ ሓምድ ዓዋተ ርጉእ መሪሕነት ብዘይምንባሩን (ብሰንኪ መስዋእቲ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ቀጺሉ ከኣ ኣቡበከር ሙሓመድ እድሪስ) ኣብ መንጎ ገለ መራሕቲ ስኒት ዘይምንባሩን፡ ብፍላይ ከኣ ካብቲ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዘገልግሉ ዝነበሩ እዋን ከም ዝጀመረ ዝዝረበሉ ኣብ መንጎ ኣቡጥያራን መዘናታቱን ግርጭታት ብምኽሳቱን ወተሃደራዊ ስራሕ ኣብ ውልቃዊ ተበግሶ ናይተን ብንኣሻቱ ጉጅለታት ዝቆማ መብዝሕትኦም ኣባላትን ዕጥቂ ዘይብሎም "ኮለይ" (ጃላ)[50] ዝነበሩ መራሕቲ ኣሃዱታት ዝምርኮስ ኢዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ኩሉ ኣቃልብኦም ካብ ጸላኢ ብረት ንምምንዛዕ ዝሰርሑ ንጡፋት መራሕቲ ክንርኢ ከሎና፡ ካልኦት ኣብዚ መዳይ'ዚ ክትዛረበሉ እትኽእል ተራ ከም ዘይነበሮም ድማ ንርኢ። እዚ ኣብ መንጎ ወተሃደራት ዝተራእየ ዝተፈላለየ ተራ ንናይ ገለ ስም ሰማይ ክዕርግ ከሎ ናይ ገለ ከኣ ሰለዝሃሰሰ ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝጸነሓ ግርጭታት ዛየደ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝዝረብ ብዙሕ ዛንታታት'ኳ እንተሎ ሕጂ ምልዓሉ ኣገዳስነት የብሉን። እቲ ዘገድስና ብዛዕባ'ቲ ሳዕቤናቱ ንኩሉ ብሩህ ዝኾነ ስእነት መሪሕነት ኢዩ።

መድረኽ ጣህር ሳልም ብመጠኑ ቅሳነት ዝነበሮ መድረኽ ኢዩ። እቲ ምኽንያት ከኣ ብኩሎም ወተሃደራት ተቐባልነት ዝነበሮን ብሓባር ዝመረጽዎን ብምኻኑ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ሽግራት መሪሕነት ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ እንታይ ኢዩ?

[50] ኮለይ በትሪ ማለት ኢዩ። ኣጣቃቕምኡ ግን ብረት ዘይብሎም ኢዩ።

* ቀዳማይ ሽግር፡ ማሕሙድ ዲናይ ምክትል ጣህር ሳልም ኣብ ሜዳ ኮይኑ ብምምዛዙ ዝመጸ ኢዩ። ኣብ ሰራዊት ሱዳን ንሒጽር ግዜ ሰሪሑ ገዲፍዎ ናብ ዓዱ ኣብ ጋሽ (ኤርትራ) ዝተመልሰ ማሕሙድ ዲናይ ብዕድመ ካብ ኩሎም ዝነኣሰ፡ ብወተሃደራዊ ተመኩሮ ከኣ ዝተሓተ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣመራርጻ'ዚ ቅድሚ ኩሉ ንኣቡጥያራ ኢዩ ኣላዓዒሉ። ካብ ካልኦት ንላዕሊ ቅድሚ ኩሉ ንዕኡ ከም ዝወጸዐ ገይሩ ከኣ ሪኢዎ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ኣቡጥያራ ብብዙሓት ቀቢላዊ ባህሪ ከም ዝነበሮ ዝጥቀስ ተቓውምኡ ከርኢ ጀመረ። ካልእ ንኣቡጥያራ ዝያዳ ዘሕረቆ ከኣ፡ ኣብ 1964 ስልጠና ክወስድ ናብ ሶርያ ክኸይድ ወሳነ ምምጽኡ ኢዩ። እቲ ዕላማ፡ ኣብ ሜዳ ንመሪሕነት ሽግር ይፈጥር ሰለዝነበረ ንምርሓቑ ተባሂሉ ከም ዝተገብረ ኮይኑ ከኣ ተራኣየ። እቲ ኣብ እዋን ኣቡጥያራ ምክትሉ ዝነበረ ማሕመድ ዲናይ ንባዕሉ በዚ ኣመዳድባ እዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበረ ፍልልያት ከም ሓድሽ ባእታ ይኣቱ።

ንምኧኑ ሰለምንታይ ጣህር ሳልም፡ ኣቡጥያራን ካልኦት ከም ኣቡርጀላ፡ ኣቡሽነብን ዑመር እዛዝን ዝኣመሰሉን ካብኡ ንላዕሊ ዕድመን ተመኩሮን ዘለዎም እንከለው ንማሕሙድ ዲናይ መሪጹ?

መብዛሕትኡ ናይቲ እዋን'ቲ ፍጻመታት ብሰንኪ መብዛሕትኦም ሰራሕቱ ብሂወቶም ብዘይምህላዎም ይኹን ብምርሳዕ'ኳ እንተተቐብረ ኣብ ጌጋ ከይወደቕና ወይ ንሓደ ወገን ከይዓመጽና ብከምዚ ዝስዕብ ክንገልጽ ንክእል ኢና።

ጣህር ሳልም እንተ ወሓደ ነዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ፍሉጣት መራሕቲ ከየማኸረ ወይ ከየሳተፈ ንኣመዳድባ ዲናይ ንበይኑ ወሲኑዎ ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። መብዛሕትኦም ከኣ፡ እንተ ወሓደ ኣብዚ ዝስዕብ ነጥብታት ተሰማሚዖም ኢዮም ዝብል እምነት ኣሎና።

- ምክትል ካብ ደቂ ባርካ (ምናልባት'ውን ብፍላይ ካብ በኒዓምር) ክኸውን። እቲ ምኽንያት ከኣ ሰውራ ኣብቲ ከባቢ ይሙርኩስ ሰለዝነበረ ካብ ደቂ'ቲ ቦታ ዝበረኸ ስልጣን እንተድኣ ሒዙ ንህዝባዊ ደገፍ ናይቲ ከባቢ ኣብ ምዕባይ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ።
- ቀዳሞት ወተሃደራት ደቂ ባርካ ካምኒ ኣቡርጀላን ኣቡሽነብን ዋላ'ኳ ብዕድመ እንተ ነኣሰን ውሑድ ተመኩሮ እንተሎን ንመሪሕነት ማሕሙድ ዲናይ ተቐቢሎምዎ ኢዮም። ቅድሚ'ዚ እውን ከም ምክትል ኣቡጥያራ ተቐቢሎምዎ ነይሮም ኢዮም።

ካልእ ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብ ግምት ከኣቱ ዘኽእል ድማ ዑመር እዛዝ ምስ ኩሉ ወተሃደራዊ ብቕዓቱ ብሰንኪ ምስ ኣቡጥያራ ዝነበሮ ፍልልያት፡ ከምኡውን ኣቡጥያራ ምስ ኩሉ ግድምንኡን ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሮ ማዓርግን ብሰንኪ ኣብ ናይ ኣመራርሓኡ ብቕዓት ብምጥርጣር ከምዘይተመረጹ ክንርዳእ ንኽእል።

በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ እቲ ዘተወሰደ ስጉምቲ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝጸንሓ ናይ ወተሃደራዊ መሪሕነት ሽግር መፍትሒ ኮይኑ ኣይተረኸበን። እቲ ሓቂስ ነቲ ዝነበረ ሽግር ተወሳኺ ኢዩ ክይንዎ። ኣቡጥያራ እንተ ዝምረጽ ነይሩ መፍትሒዶ ምኾነ ዋላስ ነቲ ጉዳይ መግደደ ሰለዘይንፈልጥ ድማ ሕጂ ግምት ክንህበሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

ካልኣይ ሽግር ድማ፡ ኣቡጥያራ ብወተሃደራዊ ስልጣና ኣብ ሰርያ እንከሎ ጣህር ሳልም ኣብ መስከረም 1964 ኣብ "ኩር" ዝተባህለ ቦታ ኣኼባ ምስ ኣካየደ ዝተኸሰተ ኢዩ። ጣህር ሳልም ነቲ ኩሎም መራሕቲ ኣሃዱታት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ዝጸወዐ ኣብ መንጎ መራሕቲ ሽግራትን ፍልልያትን ምስ በርትዐ ኢዩ።

ኣብቲ ኣኼባ ነቲ ሰውራ ዝተወልደሉ ማሕበራዊ ክውንነት ዘንጸባርቕን ብፍላይ ከኣ ናይ መሪሕነት ጸገም ዝገልጽን ሽግራት ተኸሲቱ። እቲ ብኣርባዕተ መልከዓት

ዝተራኣየ ሽግራት ኣብ ነንሕድሕዱ ዝጋራጮ ዝመስል ግን ከኣ ኣብ ጉዳይ መሪሕነት ዝጥመርን ኢዩ ነይሩ።
- ቀዳማይ መልክዕ፡ ምስ ጉዳይ ኣቡጥያራ ዝደናገጹ ናይ ደቂማሪያ ምትእኽኻብ ኢዩ። ነዚ ዝመርሓ ከኣ ሓደ ካብ ወተሃደራት ሱዳን ዝነበረ፡ ኣገልግሎቱ ምስ ወድኣ ናብ ኤርትራ ዝተመልሰን ኣብ መጀመርታ ሰውራ ዝተሰለፈን ኣብራሂም ዳውድ ኢዩ ነይሩ።
- ካልኣይ መልክዕ፡ ደቂ ገለ ቀቢላታት ከም ናራ፡ ሕዳርብን ሓፈራን ምትእኽኻብ ኢዩ። እዚኣቶም ድማ ብኩቡብ ሓጃጅ፡ ኣልኣሚን ይበትን ኣብራሂም ሙሓመድ ዓሊን ዝምርሑ ኮይኖም፡ ኣብቲ ሰውራ ተጋደልቲ ደቂ ዓዶም ዝበዝሑ ከነሶም ኣብ መሪሕነት ኣሃዱታት ብዘይ ምውካሎም ዝጠርዑ ዝነበሩ ኢዮም።
- ሳልሳይ መልክዕ፡ ምትእኽኻብ ናይቶም ካብ ፖሊስ ኤርትራ ዝተሰለፉ ተጋደልቲ ኮይኑ፡ ንሳቶም እውን ብወገኖም ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት ዓብሊሎም ዝብል ጥርዓን ዝነበሮም ኢዮም።
- እንተ'ቲ ራብዓይ መልክዕ፡ ክንፊ መሪሕነት ኣብ ሜዳ ክትብሎ እትኽእል ብማሕሙድ ዲናይ ዝውክል ኢዩ።

እዞም ኩሎም ዝተጠቕሱ ክንፈታት ተቓውሞኦም ብመልክዕ ኣድማታትን ትእዛዛት ማሕሙድ ዲናይ ምንጻግን ገሊጾም ኢዮም። ፍታሓት ከኣ፡ ኣብ መንነኛነት ዝተመርኮሰ ኸይኑ።

ኣብ ከምዚ ተፈላጥነት ዘለዎ ማእከላይ መሪሕነትን ንጹር መሰረት ኣመራርሓን ዘይብሉ ኩነታት እቲ እንኮ ፍታሕ ኣብ ምርድዳእን ሕድገታትን ዝተመርኮሰ ከም ዝኸውን ርዱእ ኢዩ። ኣብ ቅድሚ'ቶም ተጋዚኦም ዝነበሩ መራሕቲ ድማ ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ሰለዚ ከኣ ኣኼበኛታት ከምዚ ዝስዕብ ኣርባዕተ ጋንታታት ከቛሙ ተሰማምዑ።

- ጋንታ ዑመር እዛዝ
- ጋንታ ከቡብ ሓጃጅ
- ጋንታ ዑስማን ኣደም
- ጋንታ ማሕሙድ ዲናይ

ከምዚ ኢሉ ከኣ ሽግር መሪሕነት ፍታሕ ዝረኸበ መሰለ። እንተኾነ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ፍታሕ ብባህሪኡ ግዝያዊ ፍታሕ ሰለዝኾነ፡ ኣብቲ ፍታሕ ዝተገብረሉ እዋን ዘይነበረ ሓድሽ ምዕባለታት ምስ ዝመጽእ ክጻንዕ ከምዘይክእል ነቶም ዝምልከቶም'ውን ሰውር ኣይነበረን። ነዚ ድማ ጣህር ሳልም፡ ኣብቲ ድሕሪ ኣኸባ ዘስምዖ መደረ ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጹዎ ኢዩ። "ነዚ ዝጸንሐ ሽግራት **ፍታሕ ጌርናሉ ኣሎና። ዘዕግብ ፍታሕ ድማ ኢዩ። ይኹን'ምበር ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ንመራሕቲ ቅድሚ መሰረታት ናይ መቆጻጸሪ ኣገባብ ክንገብር ኣሎና።**" ኢሉ[51]

# 6. ዓመተ ብረት ሶርያ

ኣብቲ ድሕሪ ሓምድ ዓዋተ ዝነበረ መድረኽ ክንዛረብ ኮሎና፡ 1963 ዓመት ዕጥቂ ካብ ጸላኢ፡ 1964 ዓመት ምክልኻልን ህላወን ቀጻልነትን ተባሂሉ ክግለጽ ይካኣል ኢልና ነይርና። 1965 ድማ ኣብ መዳይ ዕጥቂ ዓቢ ምዕባለ ዝተራእየሉ'ዩ

[51] ሓምድ ጅምዕ ሓዞት፡ ሓደ ካብ ተሳተፍቲ ኣኸባ "ኩር" ብ7 መስከረም 2005 ምስ ደራሲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ዝሃቦ ሓበሬታ።

ክበሃል ይከኣል ወይ'ውን ምንጪ ናይቲ ዕጥቂ ሶርያ ሰለዝነበረት ዓመተ ብረት ሶርያ ኢልና ክንሰመዩ ንኽእል ኢና።

ዓረባዊት ሪፓብሊክ ሶርያ፡ ኣብ ዓለም እታ ቐዳመይቲ ሃገር ንሰውራ ኤርትራ ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብ 1963 ብወግዒ ዝፈለጠት ኢያ። ነዚ ተፈላጥነት'ዚ ድማ ኣብ መጀመርታ 1964 ኣብ ደማስቆስ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ቤት ጽሕፈት ብምኽፋትን ኤርትራውያን መንእሰያት ብምስልጣንን ብግብራዊ ስጉምቲ ኣሰንያቶ። እቲ ንሰውራ ኤርትራ ዝሃበቶ ዝዓበየ ሓገዝ ድማ እቲ ኣብ 1965 ዘወፈየቶ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ኢዩ።

ላዕለዋይ ባይቶ፡ ካብ መጀመርታ ንጥፈታቱ ዘተኮረሉ ዓረባዊ ዞባ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ኣባላቱ፡ ብፍላይ ከኣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ካብ መጀመርታ ናብ ዝተፈላለየ ወግዓውን ህዝባውን ትካላት ብመገዲ መዘከራት ብምቅራብ ይኹን ብኣካል ብምርኻብ ንጡፍ ርክባት የካይዱ ነይሮም። ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ካብቲ ንብዙሓት ሃገራት ዓረብ ምስ ኤርትራ ዘተኣሳሰር ታሪኻዊ ዝምድናታትን ባህሊን ተበጊሶም ሃገራት ዓረብ ካብ ካልኦት ሃገራት ንላዕሊ ክድግፍዎም ከምዝክእሉ ገይሮም ይወስድዎ ነይሮም። ነዚ ዝምድናታት'ዚ ንምንጥጣፍ ድማ ኣብቲ ዝተፈላለየ ርክባቶም ኣብ ብሄራውን ባህላውን ሃይማኖታውን ዝምድናታት የተኩሩ ነይሮም። መንግስታት ዓረብን ህዝባውያን ማሕበራቱን ኣብቲ እዋን'ቲ ብሓፈሻኡ ዓለማውን ገስጋስን ዝተሓዝቶኡ ንዓረባዊ ሓድነት ዝጽውዕ ብሄራዊ መስመርን እቲ ካልእ ድማ እስላማዊ መስመር ኮይኑ ከም ቅኑዕ ፍታሕ ሓድነት ኣብ ትሕቲ እስላማዊ ኣርማ ክኸውን ዝጽውዕ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ብምንባሩ፡ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ንነፍሲ ወከፍ ወገን በበቲ ዝኣምነሉ መገዲ ካብ ምቅራቡ ድሕር ይብሉ ኣይነበሩን። ሰለዚ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ወገን ብመበቆሉን ምንጩን ዓረባዊ ህዝቢ ኢዩ። ብኻልኣይ ወገን ከኣ ብካህናታዊን ኢምቦራጦራዊን ስርዓት ዝጭቆን ዘሎ ምስልምና ዝእምነቱ ህዝቢ ኢዩ። ከምኡውን ብሳልሳይ ወገን ንምእንቲ ናጽነቱ ኣንጻርቶም ውዲት ዝኣልምሉ ዓለማዊ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ዝቃለስ ህዝቢ'ዩ እናበሉ ይሰብኩ ነይሮም። ኩሉ'ቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዘቕርብዎ ዝነበሩ መዘከራት ድማ ካብዚ ዝተጠቕሰ ትሕዝቶታት ዝወጽእ ኣይነበረን። እቲ ቀንዲ ነገር ኩሉ ምንቅስቓሳቶም ነቲ ኣብ ጎባታት ኤርትራ ዝተተኮሰ ሰውራ ፋይናንሳውን ነገራውን ሓገዝ ንምርካብ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።

ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ካብተን ብዘይ ምቁራጽ ዝቐርብወን ዝነበሩ ሃገራት ዓረብ ዝጥቐስ ተጻብኦ ኣየጋጠሞምን። ይኹን'ምበር ክንሕግዘኩም ኢና ዝብል ተስፋታት ካብ ገሊኦም ክረኽቡ ከለው፡ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ዘይተገዳስነት የርእይዎም ሰለዝነበሩ፡ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብቲ ኣብ ነንሓድሕዶም ዝገብርዎ ናይ ደብዳበታት ምልውዋጥ ዝስምየም ዝነበረ ቅሬታን ተስፋ ምቁራጽን ይሓብእዎ ኣይነበሩን።

ሶርያ ንሰውራ ኤርትራ ድሕሪ ምፍላጣን በዚ መሰረት ከኣ ሰውራ ኣብ ሕምብርቲ ዓረባዊ ዞባ መርገጺ እግሪ ድሕሪ ምርካበን ላዕለዋይ ባይቶ ዘረጋገጾ ዝዓበየ ዓወት፡ ካብታ ንተጋደልቲ ሰውራ ኣብ ምስልጣንን ንኤርትራ ኣብ ምፍላጥን ቐዳመይቲ ዝነበረት ሃገረ ሶርያ ዝተዋህባ ተወዳዳሪ ዘይነበሮ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ሶርያ ዝሃበቶ ሓገዝ ምስ ዕድመ ሰውራን ብዝሒ ተጋደልቱን ኣነጻጺርካ ኣመና ብዙሕ ኢዩ ነይሩ። ዑስማን ሳልሕ ደንደን[52] ኣብቲ "ኵናት ኤርትራ" ዝተባህለ ዶኩመንታዊ ብዓረብ ዝተጻሓፈ መጽሓፉ ዝርዝር ናይቲ ኣጽዋር ኣቕሪቡዎ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ኣብቲ መጽሓፍ ዝተጠቐሰ ከኣ ቀጺልና ነቕርቦ።

2000 ክላሽንኮፍ ዝዓይነቱ ብረት (ዕንጸይትን ሓጺንን ዝሰደፉ)
25 ማእከላይ ረሻሽ ከሪኖፍ
20 ፈኵስ ረሻሽ ዲክቶርዮፍ
50 ብረት ሲማኖፍ
50 ኣርባጂ 7
10 ረሻሽ ዶሽካ
10 መድፍዕ ማእከላይ 81 ሚ.ሜተር
10 መድፍዕ ማእከላይ 82 ሚ.ሜተር
10 መድፍዕ ማእከላይ 61 ሚ.ሜተር
100 ሽንጉጥ
500 ናይ ኢድ ቦምባታት

እቲ ዝርዝር ናይዚ ዝተጠቐሰ ኣጽዋር ጠያዪትን ቦምባታትን እውን ዘጠቓለለ ኢዩ።

ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ንተን ብረት ጽዒነን ዝነብራ ክልተ ነፈርቲ ሶርያ ንምሕላፍ ምስ ሰበ ስልጣን ስዑዲ ዓረብ ድሕሪ ዝገብርዎ ምርድዳእ፡ ንምቕባለንን ትሕዝቶኣን ንምርካቦምን ድማ ምስ ሰበ ስልጣን ሱዳን ርክባት ምስ ኣካየዱ ክልቲኣን ነፈርቲ ብ26/5/1965 ማዕርፎ ነፈርቲ ካርቱም ብምውራድ ጽዕነትን ኣራጊፈን። እቲ ኣጽዋር ንሜዳ ምእታው'ውን ጀመረ። እንተኾነ ግን ሰበ ስልጣን ጸጥታ ሱዳን ቅድሚ ንኩሉ ምግዓዙ ብ3 ሰነ 1965 መብዛሕትኡ'ቲ ኣጽዋር ሒዞሞ። እቲ ብምስጢር ክተሓዝ ተሓሲቡ ዝነበረ ጉዳይ ድማ መራሒ ሰልፊ ኡማ ሳድቕ ኣልማህዲ ምስ ኣቃልዖ እውጅ ኮይኑ።

እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ሱዳን ንሓደ ሰሙን ምሉእ ኣብ ኩሉ መዳያት፡ ጋዜጣታት፡ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ፡ ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡ ኣብ ማሕበራትን ኣብ ውሽጢ ሰራዊትን ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ ዓቢ ኣርእስቲ ኮይኑ። ኣብ ውሽጢ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ዓቢ ፍልልያት ተኸሲቱ፡ ንሰውራ ኤርትራ ዝድግፍን ዝቓወምን ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ንሓርነታውያን ምንቅስቓስት ዝድግፍን ዝቓውምን መልክዕ ወሲዱ።

ነቲ ኣብ ጉዳይ ናይዚ ኣጽዋር'ዚ ዘጋጠመ ምዕባለታት ብዝርዝር ምቕራቡ ጠቓሚ'ኳ እንተኾነ ዓቐን ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ሰለዘየፍቕድ ኣይካኣልን ኢዩ።[53] ይኹን እምበር፡ ብቐዳምነት ጉዳይ ናይቲ ብረት ኣበይ ከም ዝብጽሐ ንምፍላጥን እተን ኣብ ጎኒ ሰውራ ኤርትራ ደው ዝበለ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ኣብቲ ፈታኒ መድረኽ ክሳብ ክንደይ ሰፍሓት ከምዝነበሮን ዘርኣየኦ ጽኑዕ መርገጺ ንምብራህን ብካልኣይ ደረጃ ብዝተኻእለ መጠን ኣሕጺርና ከነቕርቦ ኢና።

[52] ዑስማን ደንደን ኣብቲ እዋን'ቲ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ሰለዝነበረን ኣብ ምግዕዓዝ'ቲ ኣጽዋር ሰለዝተሰተፈን ክትምርኮሰሉ ዝከኣል ምንጪ ኢዩ። ገጽ 115 ናይዚ ዝተጠቐሰ መጽሓፍ ተወከሰ።
[53] ንዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሕሉፍ ምንጪ ካብ ገጽ 114-169 ተወከስ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ህዝባዊ ሰውራ ጥቅምቲ (1964) ነቲ ዓርኪ ስርዓት ንጉስ ሃይለ ስላሰን ጸረ ሰውራ ኤርትራን ዝነበረ ወተሃደራዊ ስርዓት ጀነራል ኢብራሂም ዓቡድ ካብ ስልጠኑ ገሊፉ ኣብ ሱዳን መሰጋገሪ መንግስቲ ኣቕሙ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ስርዓት ኢብራሂም ዓቡድ ብመሰረት'ቲ ምስ ስርዓት ሃይለ ስላሰ ገበነኛታት ንምልውዋጥ ዝገበሮ ስምምዕ ኣብ 1962 ዓ.ም ሸውዓተ ኣብ ፖለቲካ ዝነጥፉ ኤርትራውያን ኣባላት ሓረካ ንኢትዮጵያ ኣረኪቡ ኢዩ። ህዝቢ ሱዳን ኣብ ሰውራ ጥቅምቲ በቶም ኩልኩላት ዝነበሩ ንመርገጺ ስርዓት ዓቡድ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ዝቓወሙ ሓለፍቲ ሰልፍታቱ ተመሪሑ ምስ ወጸ፡ ንሰውራ ኤርትራ ዝድግፍ ጭርሖታት ኢዩ ኣቃሊሑ። ኣብቲ ሰልፊታት ሱዳን ዘካይድዎ ዓበይቲ ሰሚናራት ንሓፋሽ ህዝቢ ሱዳን ፍትሓውነት ጉዳዮም ንኽብርሁ ድማ ንመራሕቲ ሰውራ የሳትፉ ነይሮም። ከምዚ ኢሉ ከኣ ሕቶ ኤርትራ ንምድጋፍ መራሕቲ ሰልፊታት ሱዳን ምስ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ብምትሕብባር ሰፊሕ ጎስጓስ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ሱዳን ኣካይዶም። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ኣብ ሱዳን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ሰሜናዊ ሱዳን፡ ካርቱም፡ መደኒ፡ ገዳርፍ፡ ከሰላን ፖርት ሱዳንን... ወዘተ ክኣቱ ክኢሉ።

እተን ንጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ልዕል ደገፍ ዝነበረን ሰልፊታትን ኣካላትን ሱዳን ከኣ ደሚክራስያዊ ህዝባዊ ሰልፊ ብመሪሕነት ዓሊ ኣልሙርቓኒ፡ ጀብሀት ኣልሚሳቅ ኣልእስላሚ ብመሪሕነት ደክቶር ሓሰን ዓብደላ ኣቱራቢ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት ብመሪሕነት እስማዒል ኣልኣዝሃሪ፡ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ሱዳን ብመሪሕነት ዓብደልኻልቅ ማሕጁብ፡ ማሕበር ጠበቓታት፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ሱዳን፡ ማሕበር ደቀንስትዮ ሱዳን፡ ማሕበር ተማሃሮን ካልኦት ንኣሽቱ ሰልፊታትን ኣካላትን ኢዮም።

እንተ'ቲ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ሰልፍታት ሱዳን ብሰድቕ ኣልማህዲ ዝምራሕ ሰልፊ ኡማ፡ ዋላ'ኳ ደገፉ ንሓርነታውያን ምንቅስቓሳት እንተዘይሓብኦን ከምኡውን ሓደ ካብቶም ደገፎም ንሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ኣፍሪቃን ዓረብን ዓለምን ዘረጋግጽ ቻርተር ዝኸተሙ ሓይልታት ሰውራ ጥቅምቲ እንተኾነን ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ግን ካብ መጀመርታ ኢዩ ዕቓበታት ዝነበሮ። እዚ ዕቓበ'ዚ ግን ኣብ መሪሕነትን ካድራትን ናይቲ ሰልፊ እምበር፡ መብዝሕትኡ መሰረታት ናይቲ ሰልፊስ ብግልጺ ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝደናገጽ ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ዕቓበ ሰልፊ ኡማ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ፡ ካብቲ ኣብ መንጎ መሪሕነት ናይቲ ሰልፊን ስርዓት ሃይለ ስላሰን ዝነበረ ጥቡቕ ዝምድና ዝነቐለ ምንባሩ ኢዩ ዝግለጽ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ገለ ሓቅነት ዘለዎ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ መሰረታዊ ረቛሒ ግን ብቀንዱ ካብቲ ምስተን ኣብ ምብራቕን ሰሜንን ሱዳን ዓቢ መሰረት ዝነበረን ሰልፊታት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረትን ጀብሀት ኣልሚሳቅን ዝነበሮ ውድድር ዝተበገሰ ኢዩ ክብሃል ይካእል። መሪሕነት ሰልፊ ኡማ፡ ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን በቲ ዝኽተሉዎ ናይ ኸትሚያ መዝሃብን (Sect) ምስ ደገፍቲ ናይዘን ሰልፊታት እዚኣተን ዘረኽቦም ታሪኻዊ ምትእስሳራትን፡ ባህርያውያን መሰረታት ናይዘን ሰልፊታት ኢዮም ዝብል እምነት ነይርዎ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ከኣ፡ ካብ ሓቅነት ዝረሓቐ ኣይነበረን።

ሽግር ናይቲ ብረት ኣብ ኣጋ መጨረሽታ ዕድመ ናይቲ ኣብ 10 ሰነ ዘብቅዕ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢዩ ኣጋጢሙ። እቲ ኣብ ክሊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ዝተኻየደ ምርጫታት ዓቢ ዓወት ዘረጋገጸ ሰልፊ ኡማ ከኣ'ዩ ነቲ መጻኢ መንግስቲ ከቕውም ዝነበሮ። ሰድቕ ኣልማህዲ ንጉዳይ ብረት ኣብታ እቲ ብረት ዝተታሓዘላ ዕለት ኢዩ ኣቐሊዑዎ ጥራይ ዘይኮነስ ካብዚ ሓሊፉ ከኣ ንኣባላት ጸጥታ ሓቢሩ ኢዩ።

ንሱ ከምኡ ክገብር ኮሎ ከም መራሒ ሰልፊ ኡማ ጥራይ ዘይኮነስ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት መንግስቲ ከቅውም ምኳኑ እንዳፈለጠ ኢዩ። ምናልባት እውን መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ስውራ ኤርትራ ዝኸተሎ ፖሊስ የዳሉ ነይሩ ይኸውን።

መሰጋገሪ መንግስቲ ስር ኣልኸትም ኣልኸሊፋ፡ ሰልፊ ኡማ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት፡ ጅብሀት ኣልሚሳቅ፡ ማሕበርነታዊ ሰልፊን ካልኡት ሰልፊታትን ዝሓቖፈ ልፍንታዊ መንግስቲ ኢዩ ነይሩ። መንግስቲ ሶርያ እቲ ብረት ክግዕዝ ምስ ተሰመዐ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንክልተ ፍሉጣት ንሰውራ ኤርትራ፡ ዋላ ኣብ ግዜ ስርዓት ዓቡድ ዝድግፉ ዝነበሩን ካብቶም ቀንዲ መራሕቲ ሰውራ ጥቅምትን ዝኾኑ ሚኒስተራት ኣልረሺድ ኣጣህር በክር ካብ ጀብሀት ኣልሚሳቅ (ገዳርፍ) ሚኒስተር ፍትሕን ሃብቲ እንስሳን፡ ሙሓመድ ጁባራ ኣልዓውድ ካብ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት (ከሰላ) ሚኒስተር ጉዳያት ካቢነ ሓቢሩ። ብናታቶምን ናይ ቀዳማይ ሚኒስተርን ስምምዕ ድማ፡ ሰበ ስልጣን ማዕርፎ ነፈርቲ ተሓበሩ። እቲ ብረት ናብ ማዕርፎ ነፍርቲ ካርቱም ኣትዩ። እቲ ካብኡ ክግዕዝ ዝኽኣለ ኣጽዋር ከኣ ብመካይን መገዲ ኣየር  ሱዳን ብከተማ ከሰላ ኣቢሉ ናብ ሜዳ ኣተወ።

ሳድቅ ኣልማህዲ ኣብቲ ኣባላት ጸጥታ ነቲ ብረት ዝሓዝሉ መዓልቲ ጋዜጣዊ ዋዕላ ብምግባር፡ ኣብ ማዕርፎ ነፍርቲ ካርቱም ብረት ከም ዝኣተወ ምስ ፈለጡ ንካቢነ ሚኒስተራት ከም ዝሓበሩ፡ እንተኾነ ግን ካቢነ ሚኒስተራት ዋላ ሓንቲ ክገብር ከምዘይከኣለ ሓቢሩ። እቲ ብረት ነዚ ዘሎ መንግስቲ ብሓይሊ ክጻባእ ናይ ዝደሊ ጉጅለ ምኳኑ ድማ ገለጸ። እዚ ከኣ ቀዳማይ ምብራዕ ናይቲ ንሓፈሻዊ ርእይቶ ሱዳን ሰሙን ምሉእ ዘሸቐለ ጉዳይ ብረት ኢዩ ነይሩ። ካብቲ ብ6/6/1965 ብመሪሕነት ሰልፊ ኡማ ዝተኻየደ ጋዜጣዊ ዋዕላ ዝወጸ ብሳድቅ ኣልማህዲ ዝተኸተመን ብሰልፊ ኡማ ዝተዘርግሐን ኣዋጅ ከም ዝሕብሮ ሓደ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ዝስርሕ'ዩ ጉዳይ ብረት ንሰልፊ ኡማ ዝሓበረ። ሰለዚ ሰልፊ ኡማ ካብ መጀመርታ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ይፈልጥ ሰለዝነበረ ከኣ'ዩ ንኣባላት ጸጥታ ደቂቕ ሓበሬታ ክህቦም ዝኸኣለ።

ኣተኩሮ ሰልፊ ኡማ ካብ መጀመርታ ናብቲ ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ተጻባኢኡ ዝኾነ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ምስ ጉዳይ ኤርትራ ዘይደናገጽ "ከሊመንት ኣምበሮ" ዝተባህለ ሰለዝነበረ ከኣ፡ ብኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ዓብደልርሒም ሙሓመድ ኼር ሽናንን ዓብደልኑር ከሊልን ዝጀመረ ናይ ምእሳር ዘመተ ኣካይዱ። ከምኡውን ክልተ ሚኒስተራት ኣልረሺድ ኣጣህር በክርን ሙሓመድ ጁባራ ኣልዓውድን ተኣሰሩ። ብወገን ኤርትራውያን ከኣ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ነቲ ብረት ዝሓልው ዝነበሩ ሽዱሽተ ተጋደልትን ተኣሰሩ። ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ነቲ ሰልፊ ኡማ ዝተዓወተሉ ምርጫ ሕጋውነት የብሉን ብዝብል ምኽንያት ከም ዘቛረጾን ህዝቢ ከቛርጾን ክቓወሞን ይሓትት ከምዝነበረን ኢዩ። እዚ ድማ ፖለቲካዊ ተጻባኢኡ ብዛዕባ ክወስዶ ዝኽእል ኣመራጺታት ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ኡማ ስግኣት ፈጢሩ ነይሩ ኢዩ። ንሕና መራሕቲ ሰልፊ ኡማ፡ ጉዳይ ናይቲ ብረት ኣይፈልጡን ኢዮም ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ምናልባት ግን ንህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ሓይሊ ብምጥቃም ንደሞክራስያዊ ተመኩሮ ከበርዕን ፈቲኑ ዝብል ክሲ ብምጥቃን ስሙ ኣብ ህዝቢ ሱዳን ንምክፋእ ሓሲቡ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

እቲ ናይ ምእሳር ዘመተ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሰፊሕ ዕግርግር ፈጢሩ ኢዩ። ኣብቲ ጉዳይ ዳርጋ ኩሎም ሰልፊታትን ህዝባዊ ኣካላትን ተጻንቢሮም ኢዮም። ኩሎም ሰልፊታትን ህዝባዊ ኣካላትን እሱራት ክፍትሑ፡ እቲ ብረት ንተጋደልቲ ሰውራ

ኤርትራ ክርከብ ክጠልቡ ከለው፡ ሰልፊ ኡማ ንበይኑ ተሪፉ ከም ተቓዋሚ ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ክረኣን ንዝቐርበሉ ዝነበረ ክሲታት ክከላኸልን ተገዲዱ። መርገጺኡ ድማ፡ ጉዳይ ብረት ክቃላዕን ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ዘለዎም ድማ ከምርመሩን ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡን ኢዩ ነይሩ። ሰልፊ ኡማ ኣባሉ ንዝኾነ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሙሓመድ ኣሕመድ ማሕጁብ ነቲ ጉዳይ ክፈልጥ ዝነበሮን ብናቱ ኣፍልጦን ስምምዕን ክፍጸም ዝግባእ ክንሱን ዋላ ሓንቲ ኣፍልጦ ኣይነበሮን ብዝብል ምኽንያት ንመርገጺኡ ተኻላኺሉ።

ነቲ ጉዳይ መሊሱ ዘገደዶ ድማ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ስር ኣልኸተም ኣልኸሊፋ ተለዋዋጢ መርገጺን ተገራጨዊ መግለጺታትን ኢዩ። ንሱ ኣብ ኣኼባታት ካቢነ ሚኒስተራት ብዛዕባ እቲ ብረት እፈልጥ ነይረ፡ ንክኣቱ'ውን ተሰማሚዐ ኢየ፡ ግን ናይ ተጋደልቲ ኮንጎ ይመስለኒ ነይሩ ዝብል ምስምስ እናቕረበ ኣብቲ ንጋዜጣታትን ወኪላት ዜናን ዝህቦ ዝነበረ መግለጺታት ግን ኣፍልጦ ከም ዘይነበሮ ይሕብር ነይሩ።

ኢትዮጵያ ብወገና ብመገዲ ኣምባሳደራ ኣብ ካርቱም ዝነበረ ሳልሕ ሕኒት ኣቢላ ኣብቲ ጉዳይ ብቅልጡፍ ኢዳ ኣእተወት። እቲ ጉዳይ ኣብቲ መጀመርታኡ ናብ ረብሓ ኢትዮጵያ ዝኸይድ ዘሎ ይመስል ነይሩ። ምኽንያቱ ብረት ተታሒዙ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሰባት ተኣሲሮም። መርገጺ ናይቲ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት መንግስቲ ዘቕውም ሰልፊ ኡማ እውን ተኾነ ተጻባኢ ኢዩ። መግለጺ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ንሓጎስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሕብር ኢዩ ነይሩ። ንሱ ኣብቲ ብ5 ሰነ ንወኪላት ዜና ዝሃቦ መግላጺ **"ብዛዕባ'ቶም ኣብቲ ብረት ተሓቢኡሉ ዝነበረ ዝተረኽቡ ኤርትራውያን ምእሳር ብዝምልከት ምስ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሱዳን ክራኸብ ምኳኑ፡ እቲ ተታሒዙ ዝባሃል ዘሎ ብረት ድማ ኣንጻር ኢትዮጵያ ጻይቂ ንምፍጻም ዝቐንዐ ድዩ ኣይኮነን ንምፍላጥ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሱዳን ከሓትት ከምዝኾነን መንግስቲ ሱዳን ነዚ ጉዳይ'ዚ ብተገዳስነት ከምዝርኣዩ እምነት ከምዘለዎን"** ገሊጹ።

ስም ሶርያ ከም ምንጪ ናይቲ ብረት ኣብ ጋዜጣታትን ወኪላት ዜናን ምስ ተደጋገመ ከኣ እምባሳደር ሶርያ ኣብ ካርቱም ደክተር ሓፍዝ ኣልጀማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንግስቲ ሱዳን ብዛዕባ'ቲ ብረትን እንታይነቱን ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝፈልጥ፡ ሓባራዊ ዓረባዊ ረብሓ ንሱዳን ምድጋፍ እምበር ኣብ ልዕሊ ሱዳን ውዲት ምክያድ ከምዘየፍቅድ ሓቢሩ።

ኩለን'ተን እቲ ብረት ንተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ክወሃብ ኣለዎ ኣብ ዝብል መርገጺ ዝጸንዓ ሰልፊታትን ህዝባዊ ኣካላትን ኣብ ዘውጽእኦ ኣዋጃት፡ ሰልፊ ኡማ ነቲ ሰውራ ጥቅምቲ ሱዳን ዝደገፎ ሰውራ ኤርትራ ሕቛኡ ብምሃብ፡ ንጉዳይ ናይቲ ብረት ንምፍላጥ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምስጢር ኣብ ክንዲ ምዝርራብ፡ ምእንቲ ንሰውራ ኤርትራ ንምሃራምን ንፈተውቱ ኣብ ጸገም ንምውዳቕን ኮነ ኢሉ ኣቃሊዑዎ ክብላ ከሲሰን።

ሓደ ካብቲ እቲ ጉዳይ ሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ ከም ዝነበሮ ዘረድእ ድማ፡ ማሕበር ጠበቓታት ሱዳን ኣብ ዘውጽኦ ኣዋጅ **"ሓይሊ ምድሕሓር ክትግብሮ ዝፍትን ዘሎ መግዛእታዊ ውዲት ንጅግና ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ንምቕንጻል ዝዓለመ ኢዩ።"** ምስ በለ ኣስዒቡ ከኣ **"እቲ ብዛዕባ ብረት ሰውራ ኤርትራ ኣድሓርሓርቲ ዝመሃዝዎ ሽግር፡ ዕላማኡ ንሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ቦታታት ተጋደልቲ ንምቅላዕን ደገፍ ህዝቢ ሱዳንን ሓው ህዝቢ ዓረብን ከምዘይረክቡ ንምግባርን ኢዩ። ምምሃዝ ናይዚ ሽግር'ዚ፡ ናይቲ ኣብ መንጎ ኣድሓርሓትን መሳርሒ መግዛእቲ ዝኾነ ሃይለ ስላሰን ዝምስረት ሓሱር ዕርክነት ዕርቡን ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከምኡውን ኣብ ልዕሊ'ቶም**

***ንመትከላት ሰውራ ጥቅምቲ እሙናት ዝኾኑ ሃገራውያን ሓይልታት መጥቃዕቲ ብምፍጻም ንሰውራ ጥቅምቲ ንምብርዓን ዝዓለመ ናይ ኣድሓርሓርቲ ውዲት ኢዩ።"*** *ክብል ገሊጹ።*

*ማሕበር ጠበቓታት ሱዳን ነዚ ቅጥዐ ዝመልአ ኣዋጅ ኣብ ምውጻእ ጥራይ ከይተወሰነ፡* ***"ንኩሎም እሱራት ዝጣበቕ 30 ጠበቓታት ዘለዎ ኣካል ክቐውም"*** *ወሲኑ ኢዩ።*

*ከም ውጽኢት ናይዚ ንስምን ቅንዕናን ሰልፊ ኡማ ብኣሉታ ዝጸለወ ተጽዕኖታት'ዚ ከኣ ኣባል ላዕላዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝርከቦም ኤርትራውያን እሱራት ብ8 ሰነ ተፈቲሖም። መራሕቲ ሰልፊ ኡማ ክንዲዚ ዝኣክል ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞ ከጋጥሞም ከምዝኽእል ግምት ከም ዘይነበሮም ድማ ክንርዳእ ንኽእል። ከምኡውን መስጋገሪ ካቢነ ሚኒስተራት ሱዳን ኣብቲ ብ9 ሰነ ዝካየዶ ናይ መጨረሻ ርክቡ ንኩሎም ሱዳናውያን እሱራት ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ናጻ ለቒቑዎም።*

*ኣብ ውሽጢ እዚ ምዕባለታት'ዚ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ትርጉም ዘለዎ ከኣ ሰለስተ ሚኒስተራት ንሳቶም ከኣ ኣሕመድ ስሌማን ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ማሕበርነታዊ ሰልፊ፡ ኣልረሺድ ኣጣህር በክር ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ጀብህት ኣልሚሳቅ፡ ኣሕመድ ኣስይድ ሓመድ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረተ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት፡ ተሪፉ ዘሎ ብረት* ***"ንጸጥታ ሱዳን ብዘየስግእ መገዲ"*** *ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ሱዳን ቅድሚ ምብቅዑ ንተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ክወሃብ ሓሳብ ኣቕሪቡ። እዚ ድማ እዞም ሚኒስተራት እዚኣቶም ሰልፊ ኡማ መንግስቲ ምስ ኣቀመ፡ ነቲ ዝተገበረ ስምምዕን ምርድዳእን ንከይጠልም ዘለዎም ስግኣት'ዩ ዝገልጽ።*

*ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕን ምርድዳእን ንምትግባር ድማ መንግስቲ እቲ ዘካትዕ ዝነበረ ብረት ብልክዕ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ከም ዝበጽሐ ንምርግጋጽ ካብ መኮንናት ሰራዊትን ጸጥታን ዝቆመ ልኡኽ ናብ ደብ ኤርትራን ሱዳንን ልኣኸ። እቲ ልኡኽ ድማ መርኣያ ናይቲ ብረት ድሕሪ ምርኣይ እቲ ብረት ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ከምዝበጽሐ ንመንግስቲ ኣረጋጊጹሉ።*

*እቶም ሰለስተ ሚኒስራት፡ ሰልፊ ኡማ ነቲ ስምምዕ ከይጠልሞ ዝነበሮም ስግኣት ብዘይምኽንያት ኣይነበረን። ሳድቕ ኣልማህዲ ቦታ ቀዳማይ ሚኒስተር ንምሓዝ ኣብ ዘኽእሎ ሓጋዊ ዕድመ ሰለዘይበጽሐ እቲ ብመሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ማሕጁብ ዝቆመ ካቢነ ብ26/7/1965 ብመራሒ መንግስቲ ዝምራሕ ልእኩ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ምልኣኽ ተጓየየ። እቲ ልኡኽ ምስቲ ብቀዳማይ ሚኒስተር ኣክሊሉ ሃብተወልድ ዝምራሕ ልኡኽ ኢትዮጵያ ስምምዓት ተፈራሪሙ። እቲ ብ28/7/1965 ዝወጸ ናይ ሓባር መግለጺ ከኣ ነዚ ዝስዕብ ስምምዓት የጠቓልል።* ***"ክልቲኣን ሃገራት ንጸጥታኣን ዘሰግእ ዝኾነ ዓይነት ፕሮፓጋንዳ ከይጥቐማ ተሰማሚዐን። ከምኡውን ክልቲኣን ሃገራት ንዝኾኑ ኣዕነውቲ ባእታታት ከይሕግዛን ብረት ከይህባን ተሰማሚዐን። ብተወሳኺ ክልቲኦም ወገናት መሬቶም ደጀን ወይ መበገሲ ንጥፈታት ንሰላም ናይቲ ካልኣይቲ ሃገር ዘስግኡ ባእታታት ከይከውን ተሰማሚዖም። ከምኡውን ንጸጥታን ዶብ ሃገራቶም ዘሰግኡ ባእታታት ከይሕግዙ ተሰማሚዖም።"*** [54]

***"ነዚ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዓት ንምትግባር ዘኽእል ኣገባባት እተጽንዕ"*** *ኮሚተ ከኣ ካብ ክልቲኡ ወገን ኣቝሞም።*

---

[54] *ጋዜጣ ሕብረት፡* ቁ.655 30/7/1965

እዚ ስምምዕ'ዚ ብሙሉኡ ተተግቢሩ ኢዩ ክበሃል ግን ኣይከኣልን ኢዩ። ልክዕ'ዩ ሰልፊ ኡማ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ብዙሕ ዕቓበታት እኳ እንተነበሮ፡ እዚ ዕቓበታት'ዚ ግን ናብ ቁሉዕ ጸረ ሰውራ ኤርትራ ዝኾነ መርገጺታት ክበጽሕ ኣይመርጸን ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን መብዝሕትኡ እዋናት ንሰውራ ኤርትራ ብሰበ ስልጣን ሱዳን ዘጋጥሞ ዝነበረ መሰናኽላትን ዕንቅፋታትን ኣብቲ ሰልፊ ኡማ ሰልጣን ዝቆጻጸረሉ ዝነበረ ግዝያት ምኺኑ ዘይክሓድ ሓቂ ኢዩ።

ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ ግን፡ ኩሉ'ቲ ብረት ንሜዳ ኣትዩ ድዩ? ዝብል ኢዩ። እቲ ከም ረሻሻትን መዳፍዕን ዝኣመሰለ ዝተዋህበ ሓገዝ ንጎኒ ገዲፍና፡ 2000 ፈኮስቲ ብረት ካላሽንኮፍ ጥራይ ንባዕሉ ኣብቲ እዋን'ቲ ንነፍሲ ወከፍ ተጋደላይ ብኣርባዕተ ብረት ከዕጥቅ ዝኽእል ኢዩ ነይሩ። ቁጽሪ ተጋደልቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ 500 ዝሓልፍ ኣይነበረን። እዚ ድማ ኣብቲ ኣብ ሓምለ ናይቲ ዓመት'ቲ ወተሃደራዊ ክፍልታት ክቆማ ከለዋ ዝነበራ ኣሃዱታት ክንገልጽ ከሎና ከንዕዘቦ ኢና። ብዝሒ ናይቲ ናብ ሜዳ ዝኣተወ ብረት ፍሉጥ ኣይኮነን። ከምኡውን ሰበ ስልጣን ጸጥታ ሱዳን ዝሓዝዎ ብረታት ብዙሑን ኣበይ ከም ዝበለን ዝፍለጥ ኣይኮነን። ብግምት እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ዕጥቂ ተጋደልቲ ዝተራእየ ብረት ግን ካብ ፍርቂ ናይቲ ዝተጠቀሰ ብረት ንታሕቲ ኢዩ ናብ ሜዳ ዝኣተወ።

ድሕሪ'ቲ ብጉዳይ ብረት ዝተፈጥረ ህውከት፡ ሱዳን ብመገዱ ብረት ናብ ሜዳ ከይኣቱ ሰለዝኸልከለ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ዝጸንከረ መተካእታ ክመርጽ ተገዲዱ ኢዩ። ንሱ ድማ ዝኾነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ብመገዲ ቀይሕ ባሕሪ ምእታው ዝብል ኢዩ። በዚ መዳይ'ዚ ከኣ ገለ ባሕረተኛታት ንኩሉ መሰናኽላትን ሓደጋታትን ተጻዊሮም፡ ነቲ ዝርከብ ዝነበረ ውሑድ ወተሃደራዊ ሓገዛት ናብ ሰውራ ከብጽሕዎ ክኢሎም። እዚ መተካእታ'ዚ ከኣ ንሰውራ ኣብ ዝቐጸለ ነዊሕ ግዜ ሓደ ናይ ቀጻልነት ረቛሒ ኣብ ምውሓስ ዓቢ ተራ ነይሩዎ።

ብዝኾነ፡ ወተሃደርዊ ሓገዝ ሶርያ ብዝሑን ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ዝበጽሐን ብዘየገድስ፡ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ምዕጣቅ ዓቢ ምዕባለ ኣረጋጊጹ ኢዩ። ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዳግመ ስርርዕ ንኸካይድን ኣብ ሓምለ 1965 ኣርባዕተ ወተሃደራዊ ክፍልታት ንኽቅውምን ሓደ ካብቲ ዝደረኾ ምኽንያታት እውን ኮይኑ ኢዩ።

# 7 ዳግመ ስርርዕ ተ.ሓ.ኤ

ኣብ ክፍላ 1965 ላዕላዋይ ባይቶ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሓድሽ መደረኽ ዝጠልቦ ብድሆታት ንምግጣም ዘኽእሎ ዳግመ ስርርዕ ንኽገብረሉ ብዕቱብ ከሓሳብ ዝድረኾን ናይ ውሽጥን ወጻኢን ረቛሒታት መጺኡ። ቀንዲ ካብቶም ረቛሕቲታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ይጥቐሱ።

* ሽግር መሪሕነት ኣብ ውሽጥን ንሱ ዝፈጠሮ ጽገማትን።

* ቁጽሪ ተጋደልቲ እናበዝሐ ምምጽኡን ምስፋሕ ወተሃደራዊ ስርሒታትን

* ህዝባዊ ደገፍ ንሰውራ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን እናዛየደ ምምጽኡ

* ህዝቢ ሱዳን ንሰውራ ኤርትራ ምድጋፉ

* ብረት ካብ ሶርያ ምምጽኡ

ጉዳይ ብረት ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብ ካርቱም ምስ ተፈትሐ እቶም ክሳብ ሽዕኡ ሰለስተ ዝነበሩ ኣባላት ላዕለዋ ባይቶ ናብ ከሰላ ብምምጻእ ኣብቲ ብ20/7/1965

ዘካየድዎ ወታሃደራዊ ኣዘዝቲ ኣብ ሜዳን ገለ ኣብ ሱዳን ዝሰርሑ ዝነበሩ ካድራትን ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ዳግመ ስርርዕ ንምክያድ ዘለዎም መደባት ሓቢሮም።

እቲ ዳግመ ስርርዕ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

- ምቛም ኣርባዕተ ወተሃደራዊ ክፍልታት፡ ነፍሲ ወከፍን ከኣ ሓደ ወተሃደራዊ መራሒን ምክትሉን ፖለቲካዊ ኮሚሽነርን ዘለወን።[55]
- ኣብ ከሰላ ቤት ጽሕፈቱ ዝኾነ፡ ንሰውራዊ ስርሓት ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ሱዳንን ዝመርሕ "ሰውራዊ መሪሕነት" ዝተባህለ 9 ኣባላት ዘለዎ መሪሕነት ምቛም።[56]
- ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ከም ናይ መራኸቢ ቀለቤት ኮይኑ ዝሰርሕ ጠቕላሊ ስክረታርያ ዝተሰምየ ኣብ ካርቱም ምቛም።[57]

ላዕለዋይ ባይቶ እተን ኣርባዕተ ወተሃደራዊ ክፍሊታት ነፍሲ ወከፍን ዝንቀሳቐሰሉ ካባቢታት ደቂቕ ዘይኮነ ብሓፈሻዊ መልክዕ ብከምዚ ዝስዕብ ኣብቲ ኣኼባ ወሲኑ።

* ቐዳመይቲ ክፍሊ ባርካን ጋሽን
* ካልኣይቲ ክፍሊ ሰንሒትን ሳሕልን
* ሳልሰይቲ ክፍሊ ሰራየ፡ ኣከለጉዛይን ሓማሴን
* ራብዓይቲ ክፍሊ ሰምሃርን ደንከልን[58]

---

[55] መሪሕነታት ክፍልታት

| ክፍሊ | መራሒ | ምክትል | ፖለቲካዊ ኮሚሽነር |
|---|---|---|---|
| ቀዳመይቲ | ማሕሙድ ዲናይ | ሳልሕ ሙ/እድሪስ(ኣቡ ዓጃጅ) | ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም |
| ካልኣይቲ | ዑመር ሓምድ እዛዝ | ሙሓመድ ዑመር ኣደም | ማሕሙድ ኢብራሂም(ቸኪኒ) |
| ሳልሰይቲ | ዓብደልከሪም ኣሕመድ | ሓምድ ጅምዕ | ኣብርሃም ተወልደ |
| ራባዓይቲ | ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ | ዓብደላ ሙሓመድ ባሪህ | ሮመዳን ሙሓመድ ኑር |

ከምኡውን ጣህር ሳልም ከም ሓላፊ ክፍሊ ታዕሊም፡ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ ድማ ከም ሓላፊ ሓጋዚት ጋንታ ኮይኖም ተመዚዞም። ጣህር ሳልም ድሕሪ'ዚ ዳግመ ስርርዕ ኣብ ኣዶብሓ (ሰሜናዊ ሳሕል) ብመስከረም ኣንጻር ኮማንዶስ ኣብ ዝተኻየደ ወግእ ተሰዊኡ።

[56] ሰውራዊ መሪሕነት

| ስም | ሓላፍነት |
|---|---|
| 1. ሙሓመድ ስዓድ ኣድም | ኣቦ መንበር |
| 2. ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ | ጸሓፊ |
| 3. ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ | ጸሓፊ ስርዒታዊ ጉዳይ |
| 4. ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ | ጸሓፊ ፋይናንስ |
| 5. ጃዕፈር ሙሓመድ | ጸሓፊ ጉዳይ ዓ/ሰብ |
| 6. ሳልሕ ሕዱግ | ጸሓፊ ስንቂን ዕጥቂን |
| 7. ኣሕመድ መ/ዓሊ ዒሳ | ጸሓፊ ጸጥታ |
| 8. ዓብዱ ዑስማን | ጸሓፊ ጉዳይ ጥዕና |
| 9. ኣዜን ያሲን | ጸሓፊ ዜና |

[57] ሓላፊ ሰክረታርያ እቲ ጸኒሑ ኣባል ላዕላዋይ ባይቶ ዝኾነ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽም ተመዚዙ። እዛ ሰክረታሪያ እዚኣ ቅድሚ ሰውራዊ መሪሕነት ከም ዝቆመት ከኣ ይፍለጥ። ኣብቲ ብዛዕባ'ቲ ካብ ሶርያ ዝመጸ ብረት ሽግር ዝተፈጠረሉ እዋን ብመገዲ ጋዜጣታት ሱዳን መገለጺታት ብምውጻእ እቲ ብረት ናይ መን ምዃኑ ኣብ ምብራህ ዓቢ ተራ ተጻዊታ ኢያ። ኣብቲ ዝተኻየደ ዳግመ ስርርዕ ድማ ከም እትቅጽል ተገይሩ።
[58] ኣብ 1967 ሓሙሽይቲ ክፍሊ ተወሲኻ ኣብ ካልእ ኣርእስቲ ከኣ ክንርእያ ኢና።

ከምኡውን ላዕለዋይ ባይቶ ናይቲ ዘቆመ መሪሕነታት ዕማምን ሳልጣንን ዝውሰን ውሽጣዊ ሕጊታት ኣውጺኡ። ዋላ'ኳ ክሳብ ሕጂ ነቲ ሽዑ ዝወጸ ሕጊታት እንተ ዘይረኸብናዮ፡ ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ ግን በቲ ኣብ ኣኸባታት ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ዝተባህለ ኣቢልና ክንፈልጦ ንኽእል ኢና። ነዚ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ምዕራፍ ክንርእዩ ኢና።

እንተኾነ ግን ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ከይሰገርና እንክሎና ሓደ ሕቶ ከነቕርብ ንፈቱ። እቲ ኩሉ ብላዕለዋይ ባይቶ ዝቐረበ ሓሳባት ብወገን ተሰተፍቲ ተቐባልነት ነይሩዎ ዶ? እቲ መልሲ ኣይኮነን ኢዩ። ብኸምቲ ላዕለዋይ ባይቶ ዝወሰኖ ምቛም ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝብል ሓሳብ "ፋሕ ከብላና'ዩ" ብምባል ብቐዳምነት ዝተቓወሞ እቲ ከም መራሒ ቐዳመይቲ ክፍሊ ኮይኑ ዝተመዘዘ ማሕሙድ ዲናይ ኢዩ።[59] ብዘይካኡ ካልኦት ነቲ ሓሳብ ከም ዝተቓወምዎ ከኣ ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ ይገልጽ። እንተኾነ ግን ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾነ ንሓሳቡ ዝቓወም ርእይቶ ይቕበል ሰለዘይነበረ ውስነታቱ ከም ዝኸበር ገይሩ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ላዕላዋይ ባይቶ ንጸገማት ውድብን መራሕነትን ከይፈትሐ ንኣርባዕተ ዓመት ክማታእ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ንዝነበረ ተጋዳላይ ዘሻቕል ዝነበረ ሽግራት ንምፍታሕ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ወሲዱ።

# 8. ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ

ለዕላዋይ ባይቶ ድሕሪ'ቲ ኣብ ሓምለ 1965 ዘካየዶ ዳግመ ስርርዕ፡ "ሰውራ ኤርትራ፡ ዕላማታቱን መትከላቱን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ንመጀመርታ ግዜ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ኣውጺኡ። እቲ ፕሮግራም ብሓቂ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጀመሮ ሓርነታዊ ሰውራ ዝገልጽን ንኣገባብቱን ዕለማታቱን ዘንጸባርቕን ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ቐጺልና እምበኣር ንቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ፕሮግራም ነቕርብ።

## ብዛዕባ ባህሪ ሰውራ

"ሰውራና ኩሎም ሃገራውያን ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ምሁራትን ተማሃሮን ዝሳተፍዎን ገንዘብን ሰብን ዘበርክትሉ ህዝባዊ ሰውራ ኢዩ። ሰውራና እምነቱ፡ ሂወቱን መስመሩን ካብ ልቦናዊ ትንታነ፡ ወድዓዊ መረዳእታ፡ ግብራዊ ውዳበን ዝተማልኣ ስነ ሓሳብን ኢዩ ዝምንጩ። ተጋደልቱ ከኣ ምእንቲ ሃገሮም ብወለንታኦም ዝቃለሱ ዜጋታት ኮይኖም፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን ናይ ስርሖም ክራይ ወይ ኣምሳያ ከይተጸበዩ ደሞም ዝኸፈሉ ኢዮም።"

## ብዛዕባ ዕላማታት ብደረጃ ሃገር

ንጥፈት ተ.ሓ.ኤ. ብቐዳምነት ኣንጻር'ቲ ብውሑዳት መሳፍንቲ ዝቆመ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝቐነዐ ኢዩ። ዕላማኡ ከኣ፡ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት፡ ንኩሉ መሰረታዊ መሰላት ብዘይ ናይ ዓሌትን እምነትን ኣፈላላይ እተኸብርን ሕጊታታ ብመሰረታት እተዳሉን ንኩሉ ዜጋ ማዕረ ዕድላትን ፍትሕን እትፈጥር ሉኣላዊት ደሞክራስያዊት ሃገር ኤርትራ ምህናጽ ኢዩ። ንናጽነት ዝቐነዐ ዕላማና ኣብቲ ከም ሃገር ፍሉይ ታሪኽን ስልጣነን ባህሊን ወግዒን ከም ዘሎና ባህርያዊ መሰልና ዘፍቅደ

[59] ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ ብ20/9/2003 ምስ ደራሲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡

ኣብዘሎና ዓሚቁ እምነት ዝምርኮስ ኢዩ። ከምኡውን ኣብቲ ኩሉ ዓይነት መግዛእቲ ካብ ገጽ መሬት ክጽረግ ዝወሰነን ንመሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ዝኣመነን መትካላት ው.ሓ.ሃ ዝምርኮስ ኢዩ።

## ብዛዕባ ባህሪ ናይቲ ሰውራ ኤርትራ ከቘሞ ዝደሊ መንግስቲ

### ሀ. ዕላማና ጥዑይ መንግስቲ ምቛም ኢዩ

ጥዑይ መንግስቲ ንህዝቡ ናይ ምኞት ረቛሒታት ዘረጋግጽ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ሰውራ ኤርትራ ዝትግብሮ ቀዳማይ ዕላማ፡ ነቲ ኣብ ሃይማኖታዊ፡ ዓሌታዊ፡ ደርባውን ምስ ህላወ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰረ ረብሓታትን ዝተመርኮስ መግዛእታዊ ስርዓት ደምሲሱ፡ ኣብ ክንድኡ ኣብ ብቅዓትን ውልቃዊ ክእለትን ዝምርኮስ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ኢዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ከኣ ብመሰረት'ቲ ንሓፋሽ ኣብ ምምሕዳር ጉዳያቱ ምሉእ መሰል ዝህብ ደሞክራስያዊ ቅዋም ኤርትራ ብዝእዝዞ ዝካየድ ናጻን ደሞክራስያውን ምርጫታት ይቕውም።

### ለ. ዕላማና ቁጠባዊ ደረጃ ክብ ምባል'ዩ

ነቲ ገና ኣብ ዓንኬል ድሕረት ዘሎ ቁጣባዊ፡ ባህላዊ፡ ጥዕናውን ማሕበራውን ደረጃና ክብ ምባል ከም ዘድልየና ብንቅሓት እንርድኦ ኢዩ። ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ከኣ፡ ብቐዳምነት ንኩሉ ቍጣባዊ ንጥፈታት ምምዕባል ከም ዝሓትት ርዱእ ኢዩ። ሃገርና ሽሻይ ዝፈሰላ ምድረ ገነት ኢያ ኢልና ክንዛረብ እንተድኣ ኮይና ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኢዩ። ይኹን'ምበር ነቲ ብባህርያዊ ድኽነት ከም ዝተረመሰት ገይሩ መግዛእቲ ዘቅርቦ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳ ከም ቁብል ሓቂ ክንወስዶ ኣይግባእን። ባህርያዊ ጸጋታት ሃገርን ከም ሕርሻ፡ ማዕድን፡ ማይን እንስሳታትን ብቅኑዕ ስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ እንተድኣ ተመዝሚዙ፡ ንህዝብና ሃገራዊ ክብርን ሃገራዊ ብልጽግናን ዝሰፈኖ ሂወት ኣብ ምርግጋጽ እኹል ኢዩ።

### ሓ. ዕላማና ደረጃ ፍልጠትን ባህሊን ክብ ምባል'ዩ

ሰንሰላታዊ መግዛእቲታት ካብ ናይ ትምህርቲ ዕድል ሰለዝሓረመና 90% ካብ ህዝብና መሃይም ኢዩ። ባህሊ ኣብ ኤርትራ ካብቲ ቀንዲ መሰረቱ ዝኾነ ኩነታት ምዕበላኡን እንታይነቱ ምግላጽን ዕድል ዝህቦ ሃገርን መንግስትን ሰለዝተሓረመ ተወጺዑ ኢዩ። ፍትሓዊ ናይ ናጽነት ጠለብና ምስ ተረጋገጸ ከኣ፡ ነቲ ብመግዛእቲ ዝወረደና ጭቆና ንምእላይ ንቁሕ ጻዕሪ ከነካይድ ኢና። ብሃገራዊ ባህሊና ተገዲስና ክንሰርሕን ንምዕባለኡ ምቹእ ኩነታት ክንፈጥርን ኢና። ንክልቲኣን ቋንቋታት (ትግርኛን ዓረብን) ከም ወግዓውያን ቋንቋታት ኤርትራ መጠን ክንግደሰሎም ኢና።

## ብዛዕባ መርገጺና ኣብ ኢትዮጵያ

ስርዓት ሃይለ ስላሰ ኣብ ኣእምሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ናጻ ኤርትራ ናይ ፍርሒ ኣታሓሳስባታት ኣብ ምዝራእ ሰሪሑ ኢዩ። መሰረት ዘይብሉ ፍርሒ ግን ዝምድናታት ኣህዛብ ዝወስን ኣይኮነን። ሰለዚ ከኣ እዚ ስግኣታት'ዚ ንጠመተ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናብ ሓቀኛን ክውንነታውን ታሪኽ ክጋርዶም የብሉን። ናጻ ኤርትራ ንጸጥታን ብልጽግናን ኢትዮጵያ ፍጹም ኣይከተስግእን ኢያ። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ ኢትዮጵያ ንናጽነታዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ እንተ ድኣ ፈሊጣ፡ እዚ ኣብ መላእ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ጸጥታን ርግኣትን ኣብ ምሕያል ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ሓባር ረብሓታት ከምዘሎ ኣይንኽሕዶን ኢና። ይኹን'ምበር

ምህላው ሓበራዊ ረብሓታት ኣብ መንጎ ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት፣ እታ ዓባይ ሃገር ነታ ንእሽቶ ሃገር ንኽትውሕጥ ምኽንያት ኣይከውንን ኢዩ። እንተ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ቍጠባ፡ መጓዓዝያ፡ ንግዳዊ ትራንዚትን ብወደባት ኤርትራ ናይ ምጥቃም ድሌት ኢትዮጵያን ብዝምልከት ክህሉ ዝኽኣል ምትሕግጋዝ፡ ናጻ ሃገር ኤርትራ ንረብሓ ክልቲኤ ብዛዕግብ መገዲ ንምፍትሑ ድሕር ኣይከትብልን ኢያ።

* * *

እምባኣርከስ፡ እዚ ፕሮግራም'ዚ ብዝኾነ መዓቐኒ እንተ ዓቀናዮ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብዘይካ'ዚ ከኣ እቲ ዘገድሰና'ውን ንሱ'ዩ እቲ ኣብ መጀመርታ ዕጹውን ደንግርግር ዝበለን ንባህሪ ቃልሲ ብዝምልከት መሪሕነቱ ንዕላማታቱን ኣገባባቱን ቅኑዕ ኣረኣእያ ክፈጥር ዘይከኣለ ኣተሓሳስባ (ስነ ሓሳብ) ኣብዚ መድረኽ እዚ ከም ዝማዕበለ ዝሕብር ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ፕሮግራም፡ ከም ዝመሰለና ላዕለዋይ ባይቶ ኮነ ኢሉ ዝሓብኦ ቐታሊ ጉድለታት ነይሩዎ ኢዩ። ቀንዲ ካብቲ ጉድለታት ከኣ፡ እቲ ንውድብ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ዘሳቐዩ ጉዳይ ስርዒትን መሪሕነትን ኢዩ። ከምዝመስለና ላዕለዋይ ባይቶ ነዚ ጉዳይ'ዚ ከትንከፎ ኣይደለየን። እዚ ድማ ንኣገዳስነቱ ብዘይምርዳእ ዘይኮነስ፡ ካብ ምትሕስሳብን ምቍጽጻርን ናጻ ክኸውን ስለዝደለየ ኢዩ። ምንቅስቓስ ውድብ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ከምኡ ድማ ብኣንጻሩ ዘማእዝን ንኩሉ ደረጃታት መሪሕነት ዝውሰንን ዘቕውምን ዝቅይርን ንጹር ስርዒታዊ መሰረት ምስ ዘይህሉ፡ ዝኾነ ይኹን ኣብ ወረቐት ዝሰፍር ክለሳ ሓሳባዊ ጽሑፍ ዋላ ሽሕ ግዜ እንተጸበቐ ትምኒት እምበር ግብራዊ ክኸውን ከምዘይኽእል ባህርያዊ ኢዩ።

ላዕለዋይ ባይቶ ንኩሉ ውድብን መሪሕነትን ዝምልከት ጉዳይ ድላዩ ንምግባር ንነብሱ'ዩ ቢሒትዎ። ስለዚ ከኣ ድሕሪ ዳግመ ስርርዕ ኣብቲ ቀዳማይ ኣዋርሕ ኣብ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ከጉድልን ክውስኽን ተራእዩ። መዓስን ስለምንታይን ሓደ ኣባል ጎዲሉ ወይ ተወሲኹ ክትፈልጦ ኣብ ዘይትኽእል ደረጃ ድማ ተበጺሑ። ላዕለዋይ ባይቶ ካብዚ ሓሊፉ ኣብ 1967 ቁጽሪ ኣባላቱ ብኢደዋኒኑ ባዕሉ ወሲኹ። በዚ ደው ከይበለ ከኣ ንዝኾነ ይኹን ወገን ናይ ውድብ ከየማኸረ ንተድላ ባይሩ ምክትል ኣቦ መንበር ውድብ ገይሩዎ። እንተኾነ ግን ኩሎም ኣባላቱ ዝተሳተፍዎ ዋላ ሓንቲ ኣኼባ ከየካየደ ኣባላቱ መመገዶም ወሲዶም።

ስለዚ ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ትሕዝቶ ዝነበሮ ፕሮግራም እቲ ካልእ ገጹ ዝኾነ ሕቶ ኣወዳድባን መሪሕነትን ስለዘይመለሰ ከም ሓደ ወረቐት ሓደ ግዜ ኣብ ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ምስ ተነበበ ተረሲዑ'ዩ ተሪፉ።

# ምዕራፍ 6

# 1965 -1966 ዓመተ ፈተነ

እዚ ሕጂ ክንዛረበሉ ደሊና ዘሎና መድረኽ፡ ካብ ምቛም ወተሃደራዊ ክፍልታትን ሰውራዊ መሪሕነት ከም መንጎኛ መሪሕነትን ኣብ 20/7/1965 ክሳብ መጨረሽታ 1966፡ ማለተ ሓደ ዓመትን ሓሙሽተ ወርሕን ዘሎ እዋን ኢዩ።

እዚ መድረኽዚ ከኣ መድረኽ ፈተነ ወተሃደራዊ ክፍልታትን ሰውራዊ መሪሕነትን ክበሃል ይከኣል። ምናልባት'ውን መደረኽ ዓቢ ዝላን መፈለምታ ዓበይቲ ጌጋታትን ምቅልቃል ክንብሎ ንኽእል። ብፍላይ ከኣ፡ እዚ መደረኽዚ ኣብ መንጎ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ምሉእ ሰውራዊ ንጽህናን ህላወ ሰውራ ንምውሓስ ሓያል ስምዒትን ዝነበሮ መድረኽን፡ ብድሕሪኡ ዝስዓበ ነቲ ኩሉ ጌጋታት ንምግጣም ዝተገበረ መሰረታዊ ፍታሕ ዝናዲ ዝነበረ ቃልስታት ዝተኻየደሉን ማእከላይ ቦታ ዝሕዝ ምኻኑ እንተድኣ ኣሰተውዒልና እቲ ስያመ ቅኑዕ ምኳኑ ንርዳእ። በዚ መልክዕ'ዚ ከኣ፡ እዚ መድረኽ'ዚ በቲ ሓደ ወገን መመላእታ ናይቲ ናህርን ምድያብን (tide) ዝልለ መድረኽ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኩሉ ጉድለታት ተመኩሮ ዝተቀልቐለሉን ብንጹር እቲ ሓናቂ ጉዳይት ዝተነጻረሉን መድረኽ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ብዛዕባ'ዚ መደረኽ'ዚ ብኸመይ ክንዛረብ ንኽእል? ከም ዝፍለጥ ቀንዲ ዕላማና፡ ዋላ'ኳ ምፍላጥ ፍጻሜታትን ዕለቱን ንኣናብባና ኣገዳሲ እንተኾነ፡ ንፍጻሜታት በብዕለቱ ብዝርዝር ምቅራብ ኣይኮነን። መሰረታዊ ዕላማና ነቲ ዓበይቲ ንዝላን ምንቁልቋልን ሰውራ ዝጸለወ ቀንዲ ጉዳያት ብምልዓል ካብኡ ጠቃሚ ዝኾነ ትምህርቲ ምውጻእ ኢዩ።

ካብዚ መሰረት'ዚ ብምብጋስ እምበኣር፡ ብዛዕባ'ዚ መደረኽ'ዚ ክንዛረብ ከሎና፡ ኣብ ውሽጡ ልክዕ ኣብ መጨረሽታኡ ሓደ ዓቢ ማዕርፎ ንረክብ። እዚ ማዕርፎ'ዚ ከኣ እቲ ኣብ ከሰላ ካብ ዕለት 9-12/10/1966 ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ኢዩ።[60]

---

[60] ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ብወገን ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን እቶም ጸኒሖም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾኑ ጣሃ ሙሓመድ ኑርን ሳይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ተስቲፎም። ኩሎም ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት 1.. ሙሓመድ ስዓድ ኣደም ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት 2. ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ ጸሓፊ ሰውራዊ መሪሕነት 3. ጃዕፈር ሙሓመድ ተስፋ ተድሮስ ሓላፊ ስንቂን ዕጥቂን 4. ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ ሓላፊ ፋይናንስ 5. ኣዜን ያሲን ሼኽ ኣዲን ሓላፊ ዜና (ዓረብ) 6. ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ ዒሳ ሓላፊ ሰለያ 7. ወልዳይ ግደ ሓላፊ ዜና (ትግርኛ) 8. ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ሓላፊ ስርዓታዊ ጉዳይ 9. ዓብዱ ዑስማን ሓላፊ ጥዕና 10. ሳልሕ ሕዱግ ሓላፊ ሓፈሻዊ ጉዳይ 11. ሳልሕ ኣሕመድ ኣያይ ሓላፊ ጨንፈር መሪሕነት ኣብ ፖርት ሱዳን። ተሳቲፎም ካብ መራሕቲ ክፍልታት፡ 1. ማሕሙድ ዲናይ መራሒ ቐዳመይቲ ክፍሊ 2. ዑመር ሓምድ እዛዝ መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ 3. ሓምድ ሳልሕ ምክትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ 4. ዓሊ ማዕቱቅ ምክትል መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ተስቲፎም። (ብዑስማን ሳልሕ ደንደን ዝተደርሰ ኵናት ኤርትራ ተወከስ። ማሕደር ጉባኤ ገጽ 371ን ብድሕሪኡ ዝቅጽልን)

# 1. ካልኣይ ጉባኤ መሪሕነታትን ዝተመያየጠሎም ጉዳያትን

ከምቲ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ፡ ካብ ወተሃደራዊ ክፍልታትን ሰውራዊ መሪሕነትን ዝቆሙሉ መዓልቲ ክሳብ እዚ ኣኽባ'ዚ ዘሎ እዋን ብሓፈሽኡ መመላእታ ናይቲ ዝላን ምድያብን ዝነበሮ መድረኽ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ኣሃዱታት ሰውራ ኤርትራ ኣርባዕቲኡ ወተሃደራዊ ክፍልታት ኸቐውም ከሎ ኣስታት 12 ጋንታታት፡ ሰለስተ ጋንታታት ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፡ እየን ነይረን። ኣብ ርእሲ እዚኣን ከኣ ጋንታ ክፍሊ ታዕሊምን ተሓጋጋዚት ጋንታን ነይረን። ኣብቲ ኣኼባ ዝተኻየደሉ ግዜ ግን፡ ቁጽረን ብሰለስተ ዕጽፊ ዓብዩ ነይሩ። ከምኡውን ኣሃዱታት ሰውራ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ኤርትራ ክበጽሓ ክኢለን። ዋላ እተን ናብቲ ዝተወሰነለን ከባቢታት ንምብጻሕ ብሰንኪ ጸላኢ ንግስጋሰኣን ንምግታእ ዘካየዶ ውግኣት ብዙሕ ጸገማት ዘጋጠመን ሳልሰይቲን ራብዓይቲን ክፍልታት ከይተረፋ ናብ ዝሰፍሐ ከባቢታተን ክበጽሓን ህለወ ሰውራ ከረጋግጻን ክኢለን እየን።

ጸላኢ ኣብቲ ግዜ'ቲ ነቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝወጠኖ ዝርጋሐ ሰውራ ንምዕጋት፡ ጦር ሰራዊት፡ ኮማንድስን፡ ነቲ ዘካይዶ ዝነበረ ኵናት ናይ ኵናት ሓድሕድን ሃይማኖታዊ መልክዕ ንምትሓዝን ካብ ሓረስቶት ዘቖሞ ሓይልታት ባንዳን (ማሊሻታት) ዝተሳተፍዎ ዓሰርተታት ውግኣት ኣካየደ። ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ብዙሕ ውግኣት ከኣ፡ ገለ ዓበይቲ ዓወታት ከም ምቕታል መራሕ ባንዳ ኣብ ጋሽ ተኽለንክኤል ወልደማርያም ኣብ ሓዳር 1965፡ ምቕታል ሌተናንት ኮሌኔል ገብረኪዳን ተስፋይ ኣብ፡ ውሽጢ ከተማ ከረን ኣብ ሰነ 1965 ዝኣመሰላ ብሰውራ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ዓወታት ብዙሓት መንእሰያት ናብ ሰውራ ክሰለፉን ዝሰፍሐ ክፍሊ ሕብረተሰብ ናብ ሰውራ ክዝንብልን ደረኸ።

ብሰንኪ'ዚ ሰውራ ዓቢ ህዝባዊ ደገፍ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ዝረኸበሉን ጸላኢ ንዝርጋሐ ሰውራ ናብ መላእ ኤርትራ ኣብ ምዕጋት ዝፈሸለሉን ፖለቲካዊ ሃዋሁው ከኣ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዕላማታት ሰውራ ንምቁጻይን ምስሊ ሰውራ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንምክፋእን ኣብ 1965 ሓፈሻዊ ምሕረት ክእውጅ ተገዲዱ። ከምኡውን ንዝርጋሐ ጽልዋ ሰውራ ኣብ ከበሳታት ንምዕጋት ኣብ ሓማሴን፡ ኣኮለጉዛይን ሰራየን ህዝቢ ናይ ምዕጣቕ ፖሊስኡ ኣዛይድዎ። ይኹን እምበር እቲ ኩሉ ብጸላኢ ዝተኻየደ ፈተነታት ንምብዛሕ ቁጽሪ ተጋደልትን ንጽልዋ ሰውራን ዕለማታቱን ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ስድራቤት ንክዝርጋሕ ከዓግቶ ኣይከኣለን።

እቲ መድረኽ'ቲ ሃገራውነት ምስ ስምዒት ዝተደወሰሉ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ጽልኢ ዝሰፈነሉ፡ ድሌት ንተወፋይነት ዝዓበየሉ፡ ህዝቢ ንሰውራ ዝዘመረሉን ናብ ተጋደልቲ ንምስላፍ ዝጸዋዓሉን መድረኽ ኢዩ ነይሩ።

እቲ መድረኽ'ቲ ምስቲ ኩሉ ብዙሕ ኣወንታታቱን ተጋደልቲ ልዑል ወኒ ዘበርክትዎ ዝነበሩ ተወፋይነትን ኵናት ምእንቲ ዓወት ተቐቢሎም ናብ ዕላማ ናጽነት ዝግስግስዎ ዝነበሩን፡ ኣብ ውሽጡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ናእሽቶ ዝመሰል ዝነበረ እንተኾነ ግን ሓደገኛ ምልክታት ዝህብ ዝነበረ ጉዳያት ይጥጃእ ነይሩ። ኣብ ኣጋ መወዳእታ 1966፡ ማለት ኣብቲ ንዝሓለፈን ንዝመጽእን ንምምዛን ይሕግዘና ኢዩ ኢልና ዝመረጽናዮ መድረክ፡ ምስ ተበጸሐ መብዝሕትኡ ሓናቒ ጉዳያት ብንጹር ተጋህደ።

ሰለዚ ኣብቲ ጉባኤ ዝቐረበ ጉዳያት እንታይ ኢዩ ነይሩ? እቶም ጉባኤኛታት ከ ብኸመይ ፈቲሖምዎ?

ሰውራዊ መሪሕነት በቲ ዝተዋህቦ መሪሕነታዊ ተራን ስልጣንን ካብ ሰለስቲኡ ደረጃታት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. እቲ ዝደኸመ ኣካል ኢዩ ነይሩ። ብኡኡ ከኣ ክንጅምር ኢና።

**ቀዳማይ፡-** ንሰውራዊ መሪሕነት ዝተዋህበ ተራ እንታይ ነይሩ?
**"ሰውራዊ መሪሕነት ብኡኡ ኣቢሉ ላዕለዋይ ባይቶ ንሰውራ ኤርትራ ዘመሓድረሉ ኣካል ኢዩ"** ነይሩ።[61] በዚ መልክዕ'ዚ ክርኣ ከሎ ሰውራዊ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ተ.ሓ.ኤ. ክበሃል ይከኣል ኢዩ። ብመሰረት እዚ መረዳእታ'ዚ ከኣ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ሓፈሻዊ ፖሊስታት ውድብ ዝሰእል፡ ባጀት ዘጽድቕን ንፈጽሚ ኣካል ዝቆጻጸርን ሓጋጊ ኣካል ክኸውን'ዩ ዝግባእ። እንተኾነ ግን ላዕላዋይ ባይቶ ከምኡ ኣይነበረን። ንሱ **"ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ንኩሉ ሰውራዊ ንጥፈታት ዝመርሕ ዝለዓለ ኣካል ኢዩ"** ነይሩ።[62] ላዕለዋይ ባይቶ ሓጋጊ ኣካል ጥራይ ዘይኮነስ ፋጻሚ ኣካል እውን ከምዝነበረ ዘረጋግጸልና ድማ ኩሉ ንጥፈታት ውድብ ኣብ ወጻኢ (ብዘይከ ሱዳን) እንኮላይ ንጥፈታት ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ብግብሪ ኣብ ትሕቲኡምንባሩ ኢዩ ነይሩ። እዚ ድማ ንተራ ሰውራዊ መሪሕነት ከም ፋጻሚ ኣካል ጎደሎ ዝገብር ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ሰውራዊ መሪሕነት ፖለቲካዊ ስርሓት ሓፋሽ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ይምልከቶ ኣይነበረን። እዚ ብምልኡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት መራሕቲ ክፍልታት ኢዩ ኣትዩ። ኣብ ገለ ውሑድ እዋናት ንጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ከተማታት ዳግመ ስርርዕ ንምግባርን ኣብ ምምሕዳር ኣብያተ ፍርዲ፡ ሰውራዊ መሪሕነት ዝገበሮ ምትእትታው ከኣ ሓያል ነቐፌታታት ገጢሙዎ ደው ከም ዝብል ተገይሩ ኢዩ።

ኣብዚ ዝተጠቐሰ ኣኼባ፡ ቀዳማይ ነቓፌ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ኢዩ ነይሩ። ማሕሙድ ዲናይ ኣብ ዘቕረቦ ጥርዓን።

1. **"ናይ ውሽጢ ጨንፈራት (ከተማታት) ብዝምልከት ሰውራዊ መሪሕነት ነተን ዝነበራ ኮሚተታት ጨናፍር ብምስራዝ ኣብ ክንድኣን ሓደስቲ ኮሚትታት ኣቑሙ። ሓለፍተን ሰለዘየፍለጠና ድማ ብዙሕ ሽግር ፈጢሩልና። ምስ ውሽጢ ከይንራኸብ ድማ ነጺሉና።"**
2. **"ሰውራዊ መሪሕነት ንሰይድና ሑመድ ሼኽ ከም ሓላፊ ኮሚተታት ናይ ከባቢ 'ሎኮታት' ገይሩ ልኢኹዎ። እዚ ሰብ'ዚ ንህዝቢ እናዘመተ ሽግር ሰለዝፈጠረ ከኣ ኣብ መጨረሽታ ደው ከነብሎ ተገዲድና። ብመሰረት ውሽጣዊ ሕጊ ሰራዊት ግን ምምዳብ ሓለፍቲ ኮሚተታት ሓላፍነት መሪሕነት ክፍሊ ኢዩ።"**[63] ክብል ገሊጹ።

ካልኣይ ግዜ ድማ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ **"ህዝባዊ ቤት ፍርዲ ደብዳቤታት እናላኣኸ ንገለ ዜጋታት ካብ ርሑቅ ከባቢታት ክመጽእዎ ብምጥላብ ኣብ ጉዳይ ቀዳመይቲ ክፍሊ ኢዱ የእቱ ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብዙሕ ሽግራት ይፈጥር ኣሎ። ቀዳመይቲ ክፍሊ ጉዳይት ህዝቢ ንምፍታሕ ሽማግለታት ኣቑማ ኣላ። ከምኡውን ፖለቲካዊ ኮምሽነር ነቶም ሽማግለታት ይሕግዞም ኢዩ። ሰለዚ ንህዝባዊ ቤት ፍርዲ ካብ ስርሑ ደው ከተብልዎ ንሓትት።"**[64] ኢሉ።

መርገጺ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብዚ ንስልጣኑ ዘጉድል ግን ከኣ፡ ኣብቲ ዝሰራሓሉ ዝነበረ ሕጋዊ መምርሒታት ዝተመርኮሰ ጥርዓናት'ዚ ድኹም ኢዩ ነይሩ። ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ ስዓድ ኣደም ዘቅርቦ ናይ መከላኸሊ ቃል፡

---

[61] እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ኣኼባ
[62] ሕሉፍ ምንጪ
[63] መዝገብ ናይቲ ጉባኤ
[64] ኣብ ትሕቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዝሰርሕ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ከሰላ ኢዩ።

“ናይ ውሽጢ ጨንፈራት ዘይሰርሓን ዘይንጡፋትን ሰለዝነበራ ዳግመ ስርርዕ ንኽገብረለን ንተጋዳላይ ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ልኢኽናና።” ይብል። ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ከኣ ብወገኑ፡ “ኣብ ጨንፈራት፡ ዳግመ ስርርዕ ንምክያድን ኣብተን ቀንዲ ከተማታት ምሉእ ግዚኦም ዝሰርሑ ባእታታት ንምምዝዛን ናብ ኣቑርደት ከይደ። ኣነን ብጾተይን ከኣ፡ ካብቶም ኣብ ትሕቲ ጠመተ መንግስቲ ዘይኣትውን ኣብ ስራሕ እምነትን ተወፋይነትን ዘለዎምን ኣባላት፡ ኮሚተ ጨንፈር ኣብ ምቛም ተዓዊትና። ከምኡውን ኣብ ከተማታት ከረን፡ ኣቑርደትን ተሰነይን ምሉእ ግዚኦም ዝሰርሑን ሓደ ምሉእ ግዚኡ ዝሰርሕ ናይ ኩሎም ጠርናፊ እውን መዲብና፡ ሓለፍቲ ናይ ኩለን ኣብ ውሽጢ ዘሎዋ ጨንፈራት ንመራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ሰለዝሓብርኩዎ ከኣ፡ ኣይተሓበርኩን ክብል መሰል የብሉን ... ኩለን ክፍልታት ከኣ፡ ምስተን ጨንፈራት ምሉእ ምትእስሳር ኣለወን። ዝተፈላለይየ ጠለባት ከም መድሃኒት፡ ክዳውንቲ፡ ሽዳታት ... ወዘተ ከኣ ይሕግዝኦም እየን። ከምኡውን ካብ መሳሪፍ ዝተረፈ ወርሓዊ ክፍሊታትን ወፈያታትን ይሰዳሎም እየን።” ክብል ተኸላኺሉ።

እምባኣርከስ፡ ሓለፍነት ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ምምሕዳር ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሱዳንን ብመገዲ መራሕቲ ክፍልታት ከኣ ናይ ውሽጢ ኤርትራ ንጥፈታት ኣብ ምክትታልን ጥራይ ተወሲኑ ማለት ኢዩ።

ነዚ ጥርዓን'ዚ ዘቕረበ መራሒ ቀዳማይቲ ክፍሊ ጥራይ'ኳ እንተ ነበረ መራሕቲ ካልኦት ክፍልታት እውን ደጊፎም ኢዮም ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ ዋላ ሓደ ካብቶም ነቲ ንሱ ዝተኸላኸለሉ ስልጣን ክፍልታት ዝተቓወመ ሰለዘይነበረ። እኳ ድኣ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ንባዕሉ እንተ ወሓደ ትም ብምባሉ ናይ ምስምማዕ መርገጺ ነይሩዎ ኢዩ።

**ካልኣይ፡-** ሰውራዊ መሪሕነት ሰልጣኑ ንኽትግብር እንታይ ሓይሊ ነይርዎ?

ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ንሱ ዝመረሖ ኣኼባ ንመራሕቲ ክፍልታት ትእዛዝ ሰውራዊ መሪሕነት ከክብሩ ኣዘኻኺሩ። ልክዕ'ዩ ተማእዛዝነት ኣብ ናጻ ድሌት ዝምርኮስ ምርጫ ኢዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡ ዓቢ ሰብኣውን ማሕበራውን ዕማማት ዘካይዳ ምትእኽኻባት ወይ ውድባት፡ ንቅሓት ኣባላት ብዕላማታት ናይቲ ምትእኽኻብ ወይ ውድብ ክብ ንምባል ከኣ ዝሰርሓሉ ክፍልታት ይምዝዛ። እዚ ከኣ ነቲ ኣባላት ዝሰርሕሉ ቅዱስ ዕላማታት ኣብ ንቁሕ ርድኢት ዝተመርኮሰ ተማእዛዝነት ንምርግጋጽ ኢዩ። ይኩን እምበር፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ስራሕ ተማእዛዝነት ምስ ዘይህሉ ናይ ግድን ምስ ዕብየት ናይቲ ምንጻግ ወይ ተቓውሞ ዝዳረግ መቕጻዕቲ ክፍጽም ኣለዎ። ሰውራዊ መሪሕነት ከምቲ ዝተባህለ ብመገዱ ኣቢሉ ላዕለዋይ ባይቶ ንሰውራ ዘመሓድረሉ ኣካል እኳ እንተኾነ፡ ዕማም ምምሕዳር ሰውራ ኣብ ምክያድ ግን ክልተ መሰረታውያን ቅድመ ኩነታት ማለት ሓይሊ ሰልጣንን ምንጪ ገንዘብን ዘይብሉ ኢዩ ነይሩ።

- ብዛዕባ ሓይሊ ስልጣን ወይ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንውሳነታቱ ብሓይሊ ናይ ምትግባር ብዝምልከት፡ ሰውራዊ መሪሕነት ውሳኔታቱ ንምትግባር ዝኾነ ይኹን ኣገባብ ወይ ሓይሊ ኣይነበሮን። ወተሃደራዊ፡ ፍርዳዊ፡ ፋይናንሳውን ፖለቲካውን ስልጣን ብምሉኡ ኣብ ኢድ መራሕቲ ክፍልታትን ላዕለዎይ ባይቶን ኢዩ ኣትዩ። ሰውራዊ መሪሕነት ውሳነታቱ ንምርግጋጽን ንዝነጽጉዎ ንምቕጻዕን ዘኽእሎ ካብዚ ዝተጠቐሰ ኣገባባት ዋላ ሓንቲ ኣይውንንን ኢዩ። ሰለዚ ከኣ መሪሕነታዊ ቦትኡ ንኽፈለጠሉ ንመራሕቲ ክፍልታት ብሓደ ወገን፡ ንላዕለዋይ ባይቶ ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ኣብ ምልማን ወደቐ። ንኣብነት ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣኼባ ገለ ካብ ኣባላቱ፡ ብዛዕባ'ቲ

ከም መራሕቲ ዘይኮነስ ካብ ናይ ሰራሕተኛታት ኩነታት ዘይፍለ ኩነታቶም ሕማቕ ንዝተሰምዖም ገሊጾም። ኣባል መሪሕነት ጃዕፈር ሙሓመድ ተስፋ ቴድሮስ **"ኩሉ ግዜ ተጋደልቲ ብሓፈሻ ንመሪሕነት ከም ተራ ሰባት እምበር ከምሓለፍቲ ኣይጥምትዎምን ኢዮም። እዚ ጉጉይ ኣጠማምታ'ዚ ከኣ'ዩ ኩሉ ግዜ መራሕቲ ጋንታታት ወይ ተራ ተጋደልቲ፡ ከምኡውን መራሕቲ ክፍልታት ኣብ ቅድሚ ሰውራዊ መሪሕነት ንሕጊ ከምዘየኽብሩ ዝገብሮም ዘሎ።"** ክብል ጥርዓኑ ገሊጹ። ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ብወገኑ **"ገለ ተጋደልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት መሪሕነት ዝፍጽምዎ ተግባራት ኣብ መተከላትን ዕላማታትን ተ.ሓ.ኤ. ንቅሓት ካብ ዘይምህላዎም ዝነቅል ኢዩ። ስለዚ ከኣ መራሕቲ ክፍልታት ንውሽጣዊ ሕጊታት ሰራዊት ክገልጽሎም ኣለዎም።"** ክብል ወሲኹ።

- ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ምንጪታት ሰውራዊ መሪሕነት ብዝምልከት ድማ፡ እዚ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ላዕላዋይ ባይቶ ኮይኑ ሰውራ ንኽመርሕ ዝተመዘዘ ኣካል'ዚ ዕማሙ ንምስላጥ ዘ'ክእሎ ዝኾነ ይኹን ፋይናንሳዊ ምንጪ ኣይነበሮን። ሓደ ካብቲ ዝዓበየን ሓደገኛን ዕማሙ፡ ካብ ኩለን ክፍልታት ዝመጹ ሓሙማትን ውጉኣተን ተጋደልቲ ምቕባልን ምፍዋሰን ምምጋብን፡ ገለ ስድራቤታዊ ጸገማቶም ምፍታሕን ናብ ሜዳ ከም ዝምለሱ ምግባርን ነይሩ። ምናልባት ብጽቡቕ ድሌት ላዕለዋይ ባይቶን ብምትሕግጋዝ መራሕቲ ክፍልታትን ተኣማሚኑ ይኸውን ሰውራዊ መሪሕነት ብዙሓት ውጉኣትን ሕሙማትን ተጋደልቲ ዝቕበል ዓቢ ናይ ጥዕና ክፍሊ ኣብ ከሰላ መስሪቱ ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣገልግሎቱ ጆሆ ናይቲ ሓንሳብ ዝቕልቀል ሓንሳብ ከኣ ዝጠፍእ ህያባት ላዕለዋይ ባይቶ ሰለዝነበረ፡ እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ተጋደልቲ ግዳይ ናይቲ ብሕሙማትን ውጉኣትን ተጋደልቲ መዓልታዊ ዝወርዶም ሕማቕን ሃሳዪን ዘረባታት ኮይኖም ኢዮም። እቲ ምስ ግዜ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መጀመርታ 1967 ዓ.ም. ናይ ኤርትራውያን ሰደት ናብ ሱዳን ዝተኸሰተሉ እዋን ዝተገሃደ፡ እቶም ጨንፈራት ሱዳን፡ ካብ ጥሜት ዘየድሕን ኣዝዩ ዝወሓደ ኣታዊ እንተዘይኮኑ ንጠለባት ሰውራዊ መሪሕነት ዘማልእ ኣይነበሮምን። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ሰውራዊ መሪሕነት፡ መዓልታዊ መሳሪፍን ናይ ስራሕ ጠለባትን ክራይ ኣብያተ ጽሓፍትን መንበሪ ኣባይትን ሃልኪ ኤለትሪክን...ወዘተ ዝደልዩ ብዙሓት ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጨንፈራት ዝተመደቡ ዘጠቓለለ ዓቢ ኣካል ኣብ ከሰላ ኣቕሙ ነይሩ ኢዩ።

ሰውራዊ መሪሕነት ካብ ናይ ውሽጢ (ገጠራትን ከተማታትን) ገንዘባዊ እቶት ክጥቀም ዘ'ክእሎ ሓለፍነት ወይ ስልጣን ኣይነበሮን። ብመሰረት ናይ ስራዊት ውሽጣዊ ሕጊ ካብዚ ኣገዳሲ ፋይናንሳዊ ምንጪ'ዚ ተገሊፉ ኢዩ። እዚ ድማ ኣብቲ ካብ 15-27/12/1965 ኣብ ከሰላ ዝተቓነዐ ኣብ መንጎ ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ብእድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ዝተወከለ ላዕለዋይ ባይቶን ዝተሳተፍዎ ቀዳማይ ናይ ሓባር ጉባኤ ተረጋጊጹ ኢዩ። **"ከምቲ ኣብ ውሽጣዊ ሕጊ ሰራዊት ተነጺሩ ዘሎ ፋይናንሳዊ እቶት ምስ ክፍልታት ክኸውን ኢዩ"** ተወሲኑ።

ሰውራዊ መሪሕነት ፋይናንሳዊ ሽግራቱ ብዝፈጠረሉ ተጻዕኖ ምንጪ እቶት ንምርካብ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ኤርትራ ምንጭታት ምትእትታው ክገብር ተገዲዱ ኢዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡ ናቱ ፈዳይን ናብ ጎሉጅን ኦምሓጀርን ብምልኣኽ ኣብ ነጋዶ ወፌያታት ብምውሳን ብሓገዝ ናይተን ኣብኡ ዝነበራ ጨንፈራት ገንዘብ ኣኪቡ። እንተኾነ ግን ሕጂ'ውን ካብ ነቐፌታታት ክድሕን ኣይከኣለን። ኣብቲ ኦቐዲምና ዝገለጽናዮ ብ9/10/1966 ዝተኻየደ ካልኣይ ኣኼባ፡ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ንሰውራዊ መሪሕነት ምትእትታው ገይሩ ብምባል ነቒፉዎ። ንሱ **"ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ንዓና ከይሓበረ ብዙሕ ገንዘብ ኣኪቡ። ካብ ጎሉጅን**

*ሑመራን*[65] ከባቢኣን ገንዘብ ኣኪቡ። እዚ ከኣ ምስ ውሽጣዊ ሕጊታት ሰራዊት ይጻረር'ዩ"። ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ነቲ ብሰንኪ ሽግር ተገዲዶም ዝወሰድዎ (ዘይሕጋዊ) ስጉምቲ ንክከላከል ናይ ግድን ኾኖ፡ ከምዚ ዝሰዕብ ከኣ በለ።

**"ቀዳማይ፡ እቲ ገንዘብ ዝተኣከበሉ ከባቢታት ቀላጥ መሬትን ኣብ ጥቓ ዶብ ኢትዮጵያን ብምዃኑ ሰራዊት ዘይበጽሖ ኢዩ። በቶም ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ኣባላት ጨንፈራት ኣቢልና ከኣ ኢና ኣኪብናዮ። ካልኣይ፡- ምስ ተጋደላይ ዑስማን ሓምድ ኡንግሌብን ብጾቱን ከኣ ብዛዕባ ኩነታት ሰውራዊ መሪሕነትን ናይ ገንዘብ ጸገማቱን ዘብርህ መልእኽቲ ናብቲ ክፍሊ ልኢኽና። ዕንቅፋት ከይግበረሉ እውን ኣብቲ መልእኽቲ ሓቢርና። ሰለዚ እዚ እኹል ኢዩ ይመስለኒ። መሪሕነት ከኣ ንሓፈሻዊ ረብሓ ዘገልግል ዝኾነ ይኹን ስራሕ ክካይድ እኹል ስልጣን ኣለዎ።"** ኢሉ።

ንፍጻሜታት "ካልኣይ ጉባኤ" ብዝገበርናዮ ትንታነ እምበኣር፡ ብዘይ ምግናን፡ እቲ ንሃንፍ መሪሕነታዊ ስርዓት ተ.ሓ.ኤ. ንምምላእ ዝቆመ ሰውራዊ መሪሕነት ድኹም መንጎኛ ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን መራሕቲ ክፍልታትን ነይሩ ክብሃል ይካኣል። በዚ ድኽመት እዚ ከኣ፡ ነቲ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ክንዲ ዝሕግዝ መሊሱ ከምዘጋደዶ ክንርዳእ ንኽእል። እዚ ኣሉታዊ ሸነኽ ናይ ሰውራዊ መሪሕነት ብዝያዳ ከም ዝጐልሕ ዝገበረ ከኣ፡ ሰለስተ መሰረታውያን ንሱ ዝፈጸሞ ኣብ እዋኑ ክዕርዮ ዘይካኣለ ጌጋታት ኢዩ።

**ቀዳማይ፡-** ካብቲ ዝተመሰረተሉ መዓልቲ በቲ ሽዑ ዝወጸ ካብ ኩሉ ሓላፍነት ዝገለሎ ውሽጣዊ መምርሒ ኣድማዒ መሪሕነት ከምዘይኮነ፡ እኳ ድኣ **"ናይ መራኸቢ መኮንን"** ጥራይ ምንባሩ ይፈልጥ ክንሱ፡ ብዘይ ሓቀኛ መልክዑ ንነፍሱ ብምትዕሽሻው ከም ፋጻሚ ኣካል ተ.ሓ.ኤ. ብምምሳል ክሰርሕ ጀሚሩ። ካብዚ ጉጉይ መረዳእታ'ዚ ተበጊሱ ከኣ፡ ምስቲ ናይ ሜዳ ኣካላት ብኣዝዩ ልሕሉሕ ምትእስሳር እንተዘይኮይኑ ሓቀኛ ውድባዊ ምትእስሳር ዘይነበሮ ክንዲ ናይ ሃገር ክፍልታት ኣብ ከሰላ ኣቆመ። ንኣብነት ጸሓፊ ሰውራዊ መሪሕነት ጸሓፊ ሰውራ ኣይነበረን። ሓላፊ ፋይናንስ ከኣ ካብ ላዕለዋይ ባይቶ ሓገዝ እንተድኣ ረኺቡ፡ መሳሪፍ ተጋደልቲ ኣብ ከሰላ ዝሽፍል ሰራሕተኛ እምበር፡ ናይ ሰውራ ሓላፊ ፋይናንስ ኣይነበረን። ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ ድማ ብግብሪ ናይ ሱዳን ጨንፈራት ሓላፊ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን ሓላፊ ስለያ ናይ ከተማ ከሰላ እምበር ናይ ሰውራ ሓላፊ ስለያ ኣይነበረን። ከምኡ ከኣ እቶም ዝተረፈ።

**ካልኣይ፡-** ንሜዳ ካብ ወጻኢ ብምምርሑ ከኣ ካልኣይ ገጽ ናይ ላዕላዋይ ባይቶ ኮይኑ። ኩሎም ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ሃገራውያን ባእታታት ኢዮም ነይሮም። ቃልሳዊ ታሪኾም ዝከሓድ ኣይኮነን። ገለ ካብኣቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን እንከላው ብዝተጻወትዎ ሃገራዊ ተራ ናብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሑ ኢዮም። ከም በዓል ሙሓመድ ስዓድ ኣደም፡ ጃዕፈር ሙሓመድ ተስፋ ቴድሮስን ሳልሕ ሕዱግን ኣብ ሰራዊት ሱዳን ከለው ካብቶም መራሕቲ ክፍልታት ዝኾኑ ባዓል ማሕሙድ ዲናይን ዑመር ሓምድ እዛዝን ዝላዓለ ደረጃ ዝነበሮም ኢዮም። ገለ ከኣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ካብ ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ከለው ጀሚሮም ንኩሉ ናይ ኣብያተ ማእሰርቲ ምረት ተጻዊሮም ብዝተጻወትዎ ሃገራዊ ተራ ዝመጹ ኢዮም። ካብኦም በዓል ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ፡ ዑመር ሓጅ እድሪስን ወልዳይ ግድን ክጥቐሱ ይከኣሉ። ከምኡውን ሓደ

[65] ኣብ ደብ እትርከብ ከተማ ኢትዮጵያ ኢያ። ምስ ኦምሓጀር ፈለግ ሰቲት (ተከዘ) ዝፈልያ ኮይኑ፡ ኣብኣ ዝነበረ ጨንፈር ኤርትራውያን ከኣ ምስ ኦምሓጀር ይተኣሰሰር ነይሩ።

ካብኦም ኣዜን ያሲን ሼኽ ኣዲን ካብ ዩኒቨርሲቲ ካርቱም ኣብ ሱዳን ብዝላዓለ ደረጃ ተመሪቑ፡ ትስፋው መጻኢ ሂወቱ ጠንጢኑ ንምእንቲ ረብሓ ህዝቡ ዝተሰለፈ ኢዩ።

ሰውራዊ መሪሕነት በቲ ኣብ መጀመርታ ዝረኸቦ ዓቢ ደገፍ፡ ብግብሪ መሪሕነት ሰውራ ኣብ ውሽጢ እንተዝኸውን ኣብ እዋኑ ዝሓየለ መሪሕነት ሰውራ ምኾነ ነይሩ። ከም ናይ ሜዳ መሪሕነት ኣድማዕነቱ እንተዘረጋግጽ ድማ እቲ ዝወጾ "**ውሽጣዊ ሕግታት**" ኣይምዓገቶን ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣይገበሮን።

**ሳልሳይ፡-** ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ሰውራዊ መሪሕነት ዝፈጸሞ ጌጋታት ከኣ፡ ድሕሪ'ዚ ንውጺኢቱ እንዛረበሉን እንተንትኖን ዘሎና ካልኣይ ጉባኤ፡ ነቲ "**ምቁሉል**" ተራኡ ንኽቅጽሎ ምቅባሉ ኢዩ። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ንተራ ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ደረጃ ናይ "**መራኸቢታት መኮንን**" ኢልና ሰሚናዮ ዘሎና ከምዝወርድ ኢዩ ተገይሩ። ምስዚ ኩሉ ከኣ ኣባላቱ ኣብ ቅድሚ'ዚ ንሰልጣን ሰውራዊ መሪሕነት ተስፋ ዘቑርጽ ውጽኢት ብጩቕ ኣይበሉን። ከምኡውን ነቲ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ኣብ መደመደምታ ጉባኤ "**ጉባኤ ብኩሉ መለክዒታት ዕውት ነይሩ።**" ክብል ዝተዛረበ ኣይመለሰሉን። ሰውራዊ መሪሕነት ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ካብ ክልተ ሓደ ክመርጽ ይግብኦ ነይሩ። ወይ ስልጣን ምግዳፍ ወይ ከኣ ስልጣንካ ምርግጋጽ። እንተኾነ ግን ኣብ ክልቲኡ ፈሺሉ። መራሕቲ ክፍልታት ከም ሓደ ኣካል ካብቲ ጉባኤ ስልጣኖም ኣረጋጊጾም ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ሰውራዊ መሪሕነት ናጻ ኮይኖም ወጺኦም።

* * *

ንምኳኑ ክሳብ ክንድዚ ነዚ ጉዳይ'ዚ ክንዘረበሉ ዝኸኣልናስ ኩሉ'ቲ ኣብ "**ካልኣይ ጉባኤ**" ዝተዘረበሉ ብዛዕባ ተራ ሰውራዊ መሪሕነትን ስልጣኑን ዝምድናኡ ምስ መራሕቲ ክፍልታትን ጥራይ ድዩ ነይሩ?

ኩሉ'ቲ ብዛዕባ ሰውራዊ መሪሕነት ዝተዛረብናዮን ከም ናይ "**መራኸቢ መኮንን**" ጌርና ዝገለጽናዮን ንተራ ናይ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ካብ ሰለስቲኣን መሪሕነታት ኣብ ምጉህሃርን ምፍታሕን ሽግራት ሰውራ ንክንዛረብ ከም መእተዊ ክኮነልና ኢልና ኢና። ኣብ ሰውራዊ መሪሕነት ዘተኮርናሉ ምኽንያት ከኣ፡ ቦትኡ ንምፍላጥን ብሰንኪ እቲ ቦትኡ ከኣ ንሱ ዝተጻወቶ ኣሉታዊ ግደ ንምርዳእን ኢዩ። ሰውራዊ መሪሕነት በቲ ዝነበሮ ናይ መንጎኛ ቦታ ሽግራት ሰውራ ምፍላጥን መሰረታዊ ፍታሕ ክእምም ዝኽእል ዝነበረ እንኮ ኣካል ንሱ ኢዮ ነይሩ። እንተኾነ ግን ክገብሮ ኣይከኣለን።

* * *

**ሰለዚ ጉባኤ ዝተዘራረበሎም ካልእ ጉዳያትከ እንታይ ነይሮም?**

ኣብቲ ጉባኤ ቀንዲ ኣሉታታትን ሕጽረታትን ናይቲ ሓደ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ኣቑጺሩ ዝነበረ ስርዓተ ክፍልታት ቀሪቡ ነይሩ እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። ጉባኤ ነቲ ጉዳያት'ቲ ሽው ፈቲሑዎ ነይሩ እንተዝኸውን ከኣ ሰውራ ኤርትራ ናብቲ እናኸፍኣ ዝኸደን ክፍታሕ ዘይተኻእለን ብዙሕ ሽግራት ኣይምወደቐን ነይሩ። ቀንዲ ካብቲ ኣብ ኣኼባ ዝተላዓለ ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ዝማዕበለን ንሓድነት ሰውራ ዘሰገኣን እኳ ድኣ ናብቲ ኩሉ ዝፈልጦ ሓደገኛ ምፍንጫል ዘብጽሐን ጉዳያት ከኣ፡-

1. ኣብቲ ጉባኤ፡ ክፍልታት ብሰብኣዊ ኣቓውማኡ ወገናዊ መልክዓትን ኣንፈትን ይሕዝ ከምዘሎ ዝሕብር ተደጋጋሚ መጠንቀቕታታት ብንጹር ይቐርብ ነይሩ። ገለ

መራሕቲ ክፍልታት ብፍላይ ከኣ መራሕቲ ናይ ሳልሰይቲን ራብዓይቲን ክፍልታት ብዛዕባ'ቲ ተርእዩ ጥርዓን ብምቅራብ ገደብ ክገብረሉ ጠሊቦም ነይሮም።

ነዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ ኩሉ ዘልዓሎ ምክትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ሓምድ ሳልሕ ስሌማን ኢዩ ነይሩ። ንቲ ጉዳይ ከቅርብ ከሎ **"መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ምቑም ክፍልታት፡ ሓደ ተጋደላይ ካብ ካልእ ክፍሊ መጺኡ ንቦታኦም ክኣቱ ከም ዘይክእል፡ ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ካብ ደቂ'ቲ ቦታ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰራዊት ከም ዘለዎ ገይሮም ኢዮም ዝርድእዎ።"** ምስ በለ፡ ሓምድ ሳልሕ ብድሕሪኡ ኣስማት ናይ ገለ **"ተጋደልቲ ብናይ ገዛእ ርእሶም ውሳነ ብዘይኣፍልጦ መሪሕነት ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝተቐየሩ"** ጠቒሱ። ገለ ካብቶም ንሱ ዝጠቐሶም ከኣ፡

- ሙሓመድ ኑር ሳልሕ ናብ ተሓጋጋዚት ቦሎቶን (ጋንታ) (ሙሓመድ ዑመር ዓብደላ ኣቡጥያራ) ተሰጋጊሩ።
- እድሪስ ዑስማንን ኣሕመድ ማዕሩፉን ድማ ናብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ከይዶም።
- ናስር ዓብደላ፡ ስዒድ ሓረክ፡ ሳልም ዑስማንን ነጋሽ ኣሕመድን ከኣ ናብ ራብዓይቲ ክፍሊ ቀይሮም።

ከምኡውን ምክትል መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ብወገኑ ሑመድ ዑስማን ዝተባህለ መራሒ መስርዕ ናብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ከም ዝተጻንበረ ጥርዓኑ ኣቕሪቡ።

ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ጃዕፈር ሙሓመድ ከኣ ብወገኑ፡ **"እንተድኣ ተጋደልቲ ብናይ ገዛእ ርእሶም ውሳነ ካብ ሓደ ክፍሊ ናብ ካልእ ክፍሊ ይቕይሩ ከም ዘለው ፈሊጥና፡ ስለምንታይ መራሕቲ ክፍሊታት ካብ ካልእ ክፍሊ ዝመጹ ተጋደልቲ ይቕበሉ ኣለው?"** ክብል ሓቲቱ። እንተ ኣባል ላዕላዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ነቲ ኩትዕ **"መራሕቲ ክፍሊታትን ጋንታታትን ከም ዝተቐየረ ወግዓዊ መሰነይታ ሒዙ ንዘይመጸ ተጋደላይ ንኸይቕበሉ ሓበሬታ ክለኣኸሎም ኣለዎ።"** ብምባል ኢዩ ዓጽይዎ።

2. ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ዋላ ንጻላኢ ኣብ ምምካት ምውህሃድ ከምዘይነበረ ኣብቲ ጉባኤ ብንጹር በሪሁ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ብዘይሸፍንፍን ቀሪቡ ነይሩ። እንተኾነ ግን ከምቲ ቅድሚኡ ዝቐረበ ጉዳይት መሰረታዊ ፍታሕ ከይረኸበ ተሰጊሩ። ሕጂ'ውን ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ምቅራብ ተበግሶ ዝወሰደ ምክትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ጉዳይ ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡዎ። **"ናብቲ ዝተወሰነልና ክፍሊ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሓምለ ምስ ገስገስና፡ ብዙሕ ሽግራት ገለ ካብኡ ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ጸገማት ኣጋጢሙና። ጸላኢ ኣብ ቅድሚና ሓይልታት ባንዳን ፖሊስን ኣቐሚጡ። ብድሕሬና ድማ ብሓይልታት ሰራዊትን ባንዳ ተኸልንኪኤልን ከቢቡና። ሓይልታት ቀዳመይቲ ክፍሊ ብድሕሬና ክከላኸሉልና ሰለዘይከኣሉ ከኣ ጸላኢ ብድሕሬና ብቀጻሊ ይስዕበና ነይሩ።"** ምስ በለ ድማ ምስቲ ቀዳማይቲ ምትእስሳር ዘለዎ ካልእ ጉዳይ ኣቕሪቡ። ንሱ **"ሽግር ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝጀመረ ሓይልታቱ ናብ ከባቢታት ቀዳመይቲ ክፍሊ ምስ ተመልሱ ኢዩ። እቲ ንኽቅበለና ዝቖዳደም ዝነበረ ህዝቢ ፍጹም ዘይተገዳስነት ኣርእዩ። ኣብ ገለ ዓዲታት ክንምግበኩም ሓለፍነት የብልናን ብምባል ነጺጎሙና። ድሓር ግን፡ መሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝኾነ ይኹን ኣገልግሎት ንኸይገብሩልና ከም ዝኣዘዞም ክንፈልጥ ክኢልና።"** ክብል ኣብሪሁ። ቀጺሉ ሓምድ ሳልሕ ናብ ተሓጋጋዚት ሓይሊ፡ ክፍሊ ታዕሊምን ሰውራዊ መሪሕነትን ብምቅናዕ፡ **"ኣነ ኣንጻር'ቲ ውሳኔታቱ ክትግብር ዘይከኣለ መሪሕነት ጥርዓን ኣቕርብ ኣሎኹ። እቲ ውሳነ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። 1. ተሓጋጋዚት ሓይሊ ንሳልሰይቲ ክፍሊ ዝሕግዝ ሓይሊ ክትልእኽ ተወሲኑ ካብቅዕ እቲ ውሳነ ኣይተተግበረን። 2. ሰውራዊ መሪሕነት ካብ ክፍሊ ታዕሊም ብመሪሕነት ስዒድ ኖርን ሙሓመድ ኣብራሂም ባህዱራይን ክልተ ጋንታታት ክልእኽ ወሲኑ። እንተኾነ ግን ባህዱራይ ነቲ ውሳኔ ነጺጉዎ።"** ክብል ገሊጹ።

ድሕሪ እዚ ተራ ናይ ራብዓይቲ ክፍሊ መጸ። ምክትል መራሒኣ ዓሊ ማዕቱቕ፡ "ንቲ ኣጋጢሙና ዝነበረ ከበባ ንምፍራስ ዝሕግዘና ሓይሊ ሓቲትና። እንተኾነ ግን ሓጋዚ ሓይሊ ይኹን ኣብ ጥቓና ዝርከባ ክፍልታት ከድሕናና ኣይመጻን።" ኢሉ።

ብድሕሪ'ዚ ዓሊ ማዕቱቕ፡ ናብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ብምቕናዕ፡ "ኣርባዕተ ተጋደልቲ ብሓምድ ድንጌር[66] ዝምርሑ፡ ንሓንቲ መግቢ ደልያ ኣብ ዓዲ ትኣቱ ዝነበረት ብሓምድ ሸኔን እትምራሕ ናይ ራብዓይቲ ክፍሊ ጋንታ ኣፈራሪሖም። ሓደ ሰብኣይ ካብቲ ዓዲ ኣብቲ ጉዳይ እንተዘይኣቱ ነይሩ ከኣ ጥይት ምተኮሰሎም ነይሮም። እዚ ተግባር'ዚ ካብ ተጋደልቲ እሞ ከኣ ንሓደ ዕላማ ዝቃለሱ ክፍጸም ገበን ኢዩ።" ክብል ገሊጹ።

3. ኣብ መዝገብ መጋባእያ ናይዚ ኣገዳሲ ጉባኤ'ዚ ዝተጻሕፈ፡ ካብዚ ርሱን ክትዕ ዝተኻየደሉ ጉዳይት እቲ ዝወሓደ ኢዩ። ኣብ መደምደምታ፡ ነቲ ጉባኤ ዝመርሐ ኣባል ላዕላዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ዝተዛረቦ ከኣ ካብቲ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱን ኣዜን ያሲንን ኣብ ማሕደር ኣኸባ ዝመዝገብዎ ንላዕሊ፡ ነቲ ዝምድናታት መራሕቲ ክፍልታት በጺሑዎ ዝነበረ ሕማቕ ደረጃ ዘቓልዕ ነይሩ። እድሪስ ገላዎዴዎስ ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡-

"እቲ ሓለፍነት ዓቢ ሰለዝኾነ መራሕቲ ክፍልታት ናይ ግድን ነዚ ክብደት ክግንዘብዎ ዘለዎም ኢዩ። ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ዝካየድ ውድድር ሃገራዊ ረብሓ ዝሰፈኖ እምበር፡ ውልቃዊ ድሌታት ዝደፍኣ ክኸውን የብሉን። ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ዝምድናን ምትሕግጋዝን ብጻይነትን ከምዘየለ ተረዲአ ኣሎኹ። እዚ ድማ ብዙሕ የሕዝነኒ። ንዝኾነ ምስ ጉዳይና ዝዳናገጽ'ውን ይሕዝን ኢዩ። ኣብ ዶብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ዘጋጠመ ምትህልላኽ ድማ ኣብ መንጎኦም ሰውራዊ ምትእምማን ከም ዘየለን በቲ ውድባዊ መምርሒ ከም ዘይምእዘዙን ዘብርህ ሕማቕ ምልክት ኢዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣጥፊኡልና። ኣብ ካልእ ንሰውራ ዝገድስ ነገራት ኣውዒልናዮ እንተንኸውን ጥቕሚ ምረኸብናሉ ነይርና። ኣነ ኣብ መንጎ ክፍልታት ምትሕስሳብን ምንቅቓፍን ፍጹም ክህሉ የብሉን ኣይኮንኩን ዝብል ዘሎኹ። የግዳስ እቲ ምንቅቓፍ ብዋጋ ሰውራ ክኸውን የብሉን እየ ዝብል ዘሎኹ። ዝምድናታት መራሕቲ ናይ ግድን ናይ ምትሕግጋዝን ፍቕርን ሰኒትን ዝምድና ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ነቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ቅርሕንትን ጽልእን ግድን ካኣልይዎ ኣለዎም። ከም መራሕቲ መጠን ኩሎም ተጋደልቶም ናይ ምትሕግጋዝን ፍቕርን መንፈስ ንኽሓድሮም ብቐዳምነት ንሳቶም ንምትሕግጋዝን ፍቕርን ሰኒትን መሰረት ክገብሩሉ ኣለዎም።" ክብል ተዛሪቡ።

4. እቲ ዝኸበረ፡ ጉባኤኛታት ሸለል ኢሎም ፍታሕ ከይገበሩሉ ዝሰገርዎን ኣብቲ ጉባኤ ዝቐርበ ጉዳይ ሕቶ ምስራዝ ክፍልታት ኢዩ ነይሩ። እዚ ቅድሚ እቲ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነት ተላዒሉ ዝጸነሐ ጉዳይ እዚ እድሪስ ገላውዴስ ብከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብዎ። "ገለ ወታሃደራውያን መራሕቲ፡ ክፍልታት ንምስራዝን ናብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዱሑር ኩነታት ንምምላስን ዝብል ዘቕረብዎ ሓሳብ ጉጉይ፡ ዘይሕጋውን ምስቲ ላዕለዎይ ባይቶ ዝሓገጎ ውሽጣዊ ሕጋጋት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝጻረርን ኢዩ። እዚ ገለ መራሕቲ ዘቕረብዎ ሓሳብ እዚ፡ ብዝኾነ ይኹን ምኹንይ ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ዝኾነ ምምሕያሽ እቲ ንወታሃደራውን ፖለቲካውን ምምሕዳር ክሕግዝ ኢሉ ንኤርትራ ናብ

[66] ካብቲ ዘገርም ሓምድ ድንጌር፡ ኣብቲ ብምኽንያት መራሕቲ ውድብ ሓብረት ኣፍሪቃ ብ05/11/1966 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘካየድዎ ኣኸባ፡ ድምጺ ሰውራ ኤርትራ ንምስማዕ ተባሂሉ እዚ ዝጠቐስናዮ ጉባኤ ቀንዲ ከተማታት ክህረማ ብዙሕለፎ ውሳነ ድሕሪ 26 መዓልታት ካብቲ ብ7/11/1966 ኣብ ኣቑርደት ኣብ ዝተኻየደ ኵናት ተሰዊኡ።

***ሓሙሽተ ወታሃደራዊ ክፍልታት ዝመቐለ ላዕለዎይ ባይቶ ኢዩ ዝምልከት። ከምዚ ዓይነት ጉጉይ ኣታሓሳስባ ክድገም የብሉን። ከምዚ ዓይነት ታኣላይነት ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ክርአ ኮሎ ከኣ ሓለፍቲ ንሰውራዊ መሪሕነት ክሕብሩ ኣለዎም።"***

ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ ገላውዴዎስ ብሰፊሕ ገሊጹዎ ሰለዘሎ ተወሳኺ ሓበሬታ ዘድልየና ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ንነገራት ዘነጽረልና የድልየና ይከውን። ነዚ ከኣ ማሕሙድ ዲናይ መሊሱዎ ኣሎ። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ በለ፡ ***"ተጋደልቲ ሓምድ ሳልሕን[67] ሓጅ ሙሳ ዓሊን[68] ኣርባዕቲኣን ክፍልታት ተሰሪዘን ሓደ መራሒ ምስ ምክትሉ ክምዘዙ ዝጠልብ ሓሳብ ብጽሑፍ ኣቕሪቦሙለይ፡ ኣነ ግን ንክፍልታት ዘቆመ ላዕለዋይ ባይቶ ሰለዝኾነ፡ ንሱ ጥራይ ኢዩ ዝሰርዞ ብምባል ንሓሳባቶም ነጺገዮ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ሳልሰይቲ፡ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት መራሕቲ ጋንታታትን ምክትላቶምን ተሳቲፎም ኢዮም። ብዛዕባ'ዞም ጸይቅን ተቓውምታትን ዝፈጥሩ ዘለው ከኣ ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ጸብጻብ ኣሕሊፍና ኢና።"***

ብዛዕባ ውጽኢት ካልኣይ ጉባኤ ዘሎና ትዕዝብትታት ኣብ ሰለስተ ነጥብታት ጾሚቕና ብከምዚ ዝስዕብ ነቕርቦ።

**ቀዳማይ፦** እቲ ኩሉ ኣብቲ ድሕሪ ጉባኤ ዝቐጸለ ዓመታት ዝተላዓለ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ሰውራ ኤርትራ ከም ቀንዲ ኣርእስቲ ክትዓት ዝተካየደሉን ፍታሓት ዝናደየሉ ዝነበረን ጉዳያት፡ ካብቲ እቲ ጉባኤ ዘልዓሎን ፍታሕ ዘይገበረሉን ጉዳይት ዝፍለ ኣይነበረን። ኣድማዒ ፍትሓት ክግበረሉ ዝክእል ግዜ ከኣ ሽዑ ኢዩ ነይሩ።

**ካልኣይ፦** እቶም ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ሰለስቲኦም ወገናት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ነቲ ዝነበረ ክውንነት ይርድእዎ ነይሮም ኢዮም። ሰለዚ ከኣ'የ ኩሉ'ቲ ቀንዲ ጉዳያት ንክትዕ ቀሪቡ። እንተኾነ ግን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ኣቓሊሎም ብምርኣይ ስለዝንስይዎ ብድሕሪኡ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ዝወረደ ኩሉ ሽግራትን ማሕነቕትን ሓላፍነት ኣብ ምስካም መሻርኽቲ ኮይኖም።

**ሳልሳይ፦** ካልኣይ ጉባኤ ብግብሪ ንሰውራዊ መሪሕነት ኣውሪዱዎ ኢዩ። ወይ ከኣ ብዝሓሸ ኣገላልጻ ዝኾነ ይኹን ዝጥቐስ ተቓውም ከይገበረ ወይ ብኽብሪ ንሜዳ ከይገደፈ ናብ ጡሮታ ኣእትዩዎ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ሰለዚ ድማ ንምእንቲ ደረጃ ላዕለዋይ ባይቶን መራሕቲ ክፍልታትን ንምድልዳል ንሓደ ካብ ደረጃታት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብምሰራዝ ዝስዓበ ሽግራት እቲ ጉባኤ ይስከሞ ማለት ኢዩ።

## 2. ጸዕሪታት ሰውራዊ መሪሕነት

ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ንሰውራዊ መሪሕነት ከም ሓደ ኣካል ወይ ደረጃ መሪሕነት ናብ ኣባላቱን ተራኦምን ከይኣተና መሪር ነቐፌታ ኣቕሪብናሉ ኣሎና። ምናልባት ተራ ናይ ኣባላቱ ኣብ ካልእ ቦታ ናይዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ'ዚ ይላዓል ይኸውን ኢዩ። ነቐፌታና ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ነቲ ሰውራዊ መሪሕነት ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ምስቲ ኩሉ ንተራኡ ዘልምስ ዘጋጠሞ ብዙሕ ቐይዲታት ዝተጻወቶ ምቁሉል ተራ ንምቅላል ዝቐንዐ ኣይኮነን።

---

[67] ሓምድ ሳልሕ ዝተበሃለ ሓደ ካብ መራሕቲ ጋንታታት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፈ ምኽትል መራሒ ክፍሊ ግን ኣይመስለን።

[68] ካብቶም ቀንዲ መራሕቲ ጋንታታት ድሕር ከኣ ሓይልታት ኣብ ቀዳመይቲ ክፍሊ። ቅድሚኡ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ከምኡውን ፖሊስ ኤርትራ ዝነበረ ኢዩ።

*ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ከሰላ ካብቲ ዝተመሰረተሉ ክሳብ'ዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ከም ማእከልን ዝርኣን ዝጭበጥን መሪሕነት ኢዩ ኮይኑ ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ ዓወት እምነት ብምሕዳር ንሓርነት ዝብህግ ስምዒት ኣብ ምልዕዓልን ንሰውራ ብሰብኣውን ነገራውን ወፈያታት ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ነይሩዎ። ኣብ መንጎ ውሽጥን ወጻኢን ናይ መንጎኛ ማእከል ብምሓዙ ከኣ፡ ህዝቢ ሓበሬታታት ዝለዋወጠሉን ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምቅጻል ፍናን ዝሕድሰሉን እንኮ ናይ መራኸቢ ንቀጣ ክኸውን ክኢሉ። በዚ ዝተጠቐሰ ምኽንያታት ህዝቢ ኣብቲ መድረኽቲ ዶብ ዘይብሉ እምነት ሰለዝንበረሉ ብዙሕ ግዜ ንተራኡን ኣበርክቶኡን ኣዕብዮ ብምርኣይ ኣብ ጌጋታት ከም ዝወድቐ ገይርዎ ኢዩ። ሰውራዊ መሪሕነት ድሕሪ'ቲ ዝሰፈሐ ሓፋሽ ህዝቢ ሱዳን ንሰውራ ኤርትራ ዝድግፍን ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደው ከምዝብል ዘረጋግጽን ጭርሖ ዘልዓለሉ ሰውራ ጥቅምቲ ሰለዝቆመ፡ ንሕቶ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ህዝባዊ ዕምቆት ኣብ ምሃቡ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ቀንዲ ከተማታት ሱዳን ኣብያተ ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ብምቛም ምሉእ ግዚኦም ዝሰርሑ ሓለፍቲ መዲብሉ። ኩለን ፖለቲካውያን ሰልፊታትን ሓፋሽ ውድባትን ሱዳን ዝሳተፍኦ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝደጋገፍ ማሕበራት ምሕዝነት ምስ ህዝቢ ኤርትራ ክምስርቱ ከኣ መምርሒታት ሂቡዎም። ምምስራት ናይዘን ማሕበራት እዚኣተን ኣብ ካርቱም፡ ፖርትሱዳን፡ ከሰላ፡ መደኒ፡ ገዳፍን ዓጥባራን ከኣ ንህዝቢ ሱዳን ብዛዕባ ፍትሓውነት ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ምጉስጓስን ነቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዛየደ ዝኸይድ ዝነበረ ምድንጋጹ ኣብ ምኽሳብን ብሓቂ ኣብርክቶ ነይሩዎ። ነቲ ብማእከላይ መንግስቲ ወይ ናይ ዞባታት ሓለፍቲ ንሰውራ ኤርትራ ዝብድል ዝሕልፍዎ ዝነበሩ ውሳነታት ንምቑዋም እዘን ማሕበራት ሰልፊታት ብምውድብ ታቓውማኣን ዘገላጻሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን ነይሩ።*

*ሰውራዊ መሪሕነት ኩሉ ግዜ ኣብ ምቹእ ኩነታት ኮይኑ ይሰርሕ ኣይነበረን። መብዛሕትኡ ግዜ ብሰበ ስልጣን ሱዳን ሽግራት የጋጥሞ ነይሩ። እዚ ከኣ ብመሰረት ድሌት ናይቲ ኣብ ስልጣን ዝመጽእ ሰልፊ ይተርርን ይፎክስን ምንባሩ ይፍለጥ። እቲ ብሰበ ስልጣን ሱዳን ዝውሰድ ዝነበረ ስጉምቲታት ክሳብ ናብ ደረጃ ምፍታሽን ንብረት ምህጋርን ኣብያተ ጽሕፈት ምዕጻውን፡ ካብኡ ሒሊፉ ከኣ ሓደ ሓደ ግዜ ክሳብ ንኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ካብ ከሰላ ምስጓግን ይበጽሕ ነይሩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንሰበ ስልጣን ሱዳን እነቐርቦ ነቐፌታ ዝተጋነነ ምእንቲ ከይከውን ገለ ሓቅታት ምጥቃስ ኣገዳሲ ኢዩ። ገለ ካብቲ ሰበ ስልጣን ሱዳን ዝወስድዎ ዝነበሩ ስጉምቲታት ብሰንኪ ጽዑቅ ህለወ ሰውራን ክፍልታቱን ኣብ ከሰላ ተጋደልቲ ብዝፍጽምዎ ዝነበሩ ጌጋታት ዝተደረኸ ክኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ከኣ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ተጽዕኖ ንምግልጋል ዝወስድዎ ዝነበሩ ኢዩ። ኣብ ከምዚ መጻብቦታት ዝመልኦ ኩነታት እቲ ኩሉ ግዜ ግዳይ ዝኸውን ዝነበረ እንኮ ወገን ሰውራዊ መሪሕነት ኢዩ ነይሩ። ንሕሙማትን ውጉኣትን ተጋደልቲ ዘቕርቦ ዝነበረ ኣገልግሎታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ሰለዝትሕትን ወይ ዝሳኣንን ግዳይ ናይ ተቓውሞታቶምን ሓደ ሓደ ግዜ ጠንቂ ናይ ሜዳ ምግዳፎምን ይኾውን ነይሩ ኢዩ። ከምቲ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት እንዕዘቦ ከኣ ካብ ሰለስቲኡ መሪሕነታዊ ደረጃታት ቀዳማይ ግዳይ ንሱ ኮይኑ። ብከምዚ ከኣ፡ ብግምት እንተ ዘይኮይኑ ብልክዕ ኣብ ዘይተፈልጠ ኣባላቱ ባዕሎም ዘየረጋግጽዎ ታሪኽ ህልውናኡ ኣብቂዑ።*

*ሰውራዊ መሪሕነት ናብቲ ነዊሕ ዝተጎስየ ሰውራዊ ሰርሓት፡ ማለት ሓፋሽ ኣብ ምውዳብ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማታት ከተኩር ጀሚሩ። ብልክዕ ድማ*

ሰውራዊ መሪሕነት ድሕሪ ምቛሙ ብቐጥታ ኣብ ናይ ከተማታት ኤርትራ ጨንፈራት ዳግመ ስርርዕ ንምክያድ ኣድሂቡ። ንዕኡ ዝከታተሉ ናይ ገዛእ ርእሱ ጉጅለታት ፈዳይን ኣቑሙ። እቲ መደብ ዳግመ ስርርዕ ጨንፈራት ብከተማታት ቀዳመይቲ ክፍሊ፡ ኣቑርደት፡ ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ጉልጅን ኦምሓጀርን ኢዩ ጀሚሩዎ። ዳግመ ስርርዕ ናይዘን ጨንፈራት እዚኣተን ኣብ ሓጺር ግዜ ብምዝዛም ከኣ ካብቶም ዝያዳ ንጡፋትን ንሓደገኛነት ናይቲ ስራሕ ንምስካም ድሉዋት ዝኾኑን ባእታታት ሓደስቲ ኮሚተታት ከም ዝቆመሎም ተገብረ። ከምኡውን ንህዝቢ ብዕላማታት ሰውራ ኣብ ምጉስጓስን ሰውራዊ ስርሓት ኣብ ውሽጢ ንምብርታዕ ተራኦም ኣብ ምጽዋትን መሪሕነት ዝምዝዞም ናይ ሓባር ዕማም ንምትግባር ኣብ መንጎኦም ብዛዕባ ዝህሉ ምውህሃድን ምስ መሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ኣብ መዳያት ስርሒታት ፈዳይንን ፋይናንሳዊ ሓገዛትን ብከመይ ይተሓጋገዙን ብዝምልከት ናይ ስራሕ መምርሒታት ተዋሂቡዎም። ነዚ ስራሕ'ዚ ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ ኣብ ሰውራዊ መሪሕነት ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ባዕሉ ኢዩ መሪሑዎ። ኣብቲ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ዝተኻየደ ዳግመ ስርርዕ ድማ ብግብሪ ተሳቲፉ።

ብተወሳኺ ሰውራዊ መሪሕነት ነተን ጨንፈራት ምስኡ ዘተኣሳሰርወንን ፖለቲካዊ ጎስጓሰት ዘካየዱን ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ጸብጻባት ዘቕርቡን ካብ ካድራቱ ደቂ'ቲ ቦታ ኣብኡ መዲቡ። ካብቶም ሽዑ ዝተመደቡ ሕመድ ሙሓመድ ስዒድ ኩሉ (ኣቑርደት)፡ ከራር ኣሕመድ ኣኑር ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበረ ካብ ቐደሞት ሓርበኛታት (ባረንቱ)፡ እድሪስ ሓቢብ ጃብር (ኦምሓጀርን ጎሎጅን) ነይሮም።

እቲ ስራሕ ኣብቲ መጀመርታ ተስፍው ነይሩ። ንጥፈታት ጨንፈራት ማዕቢሉ፡ ኣባልነት እናዘየደ መጺኡ፡ ፋይናንሳዊ ኣበርክቶ ዓብዩ፡ ፕሮፓጋንዳዊ ስራሕ ሰውራ ጽዒቑ፡ ንቅሓት ዜጋታት ብዓወት ሰውራ ድማ ተመሓይሹ።

እቲ ስራሕ ናብ ኩሉ ከተማታት ከም ዘስፋሕፍሕ ተስፉ ዝህብ ዝነበረ ከኣ፡ እቶም ነቲ ስራሕ ዘካይዱ ባእታታት ልዕሊ ኩሉ ድማ መምህር ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ ኣብ ናይ ውሽጢ ስራሕ ሓያል ተመኩሮ ኣጥርዩን ምስጢር ዓወቱ ተረዲኡን ብምንባሩ ኢዩ። ኩሎም ኣብ ውሽጢ ንኽነጥፉ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተመደቡ ኣብ ምስጢራዊ ስራሕ ኣቃሊልካ ዘይጥመት ክእለት ካብ እዋን ም.ሓ.ኤ. ዝጥረዮ ኢዮም ነይሮም።

እንተኾነ ግን ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ብሰንኪ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ጉባኤ ኣብ መንጎ ሰውራዊ መሪሕነትን መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍልን ብዘጋጠመ ፍልልያት እተን ጨንፈራት ናብቲ በቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዘቕሞ መሰረት ክትቅጽል ዘይከኣለት ቐዳመይቲ ክፍሊ ሰለዝተመልሳ እቲ ተመኩሮ ፈሺሉ። በዚ ድማ ናይ ውሽጢ ከተማታት ስራሕ ናብቲ ቀዳማይ ደረጃኡ ንድሕሪት ተመሊሱ። መምርሒታትን ሓበሬታታትን ውልቃዊ ተበግሶታትን ሰለዝጠፍአ ከኣ ኣብ ምዕባለን ኣበርክቶን ናይተን ጨንፈራት ኣሉታዊ ጽልዋ ገይሩ።

ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ከተማታት ብዝገበሮ ኣቃልቦ መሰረት ናብታ ብሰንኪ ድሩትነት ንጥፈታት ኣሃዱታት ሰውራ ኣብቲ ከባቢታት'ቲ ንነዊሕ ዓመታት ተረሲዓ ዝነበረት ዋና ከተማ ኣስመራ ፍሉይ ኣተኩሮ ክገብር ጀሚሩ።

እታ እንኮላይ ንዋና ከተማ ኣስመራ እትሓቑፍ ሰልሰይቲ ክፍሊ ኣብቲ ቦታ ሓዳስ ሰለዝነበረትን ኣብቲ ከባቢ እግራ ካብ ዝረገጸትሉ ዕለት ኣብ ቀጻሊ ኵናት ሰለዝተሸመትን ድማ ዝኾነ ኣድማዒ ናይ ውሽጢ ስራሕ ንኽትካይድ ኣብ ዘኽእል ኩነታት ኣይነበረትን። ሰለዚ ከኣ ሰውራዊ መሪሕነት ጠመተኡ ናብ ዋና ከተማ ኣስመራ ምስ ገበረ፡ ካብ መራሕቲ ክፍልታት ንንጥፈታቱ ዝቓወሙ ኣይነበሩን።

ኩነታት ኣሰመራ ኣብ 1965 ኣወንታዊ ምዕበለ ክርኢ ጀሚሩ። ተጻብኣ ኣንጻር ህላወ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ዛይዱ። እዚ ኩነታት እዚ ብምዕዛብ፡ ምናልባት ከኣ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ብከተማ ኣስመራ ዘይምግዳስ፡ ብምስትብሃል ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ትሕቲ ቐጥታዊ መምርሒ ኣብቲ እዋንቲ ኣብ ከሰላ ዝነበረ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ዋና ከተማ ኣሰመራ ኣብ ውሽጢ ተማሃሮን ሰራሕተኛታት መንግስትን ናይ ተ.ሓ.ኤ. ውዱባት ንምቛም ግብራዊ መደባት ኣውጽኣ። መሪሕነት ነዚ ስጉምቲ'ዚ ንምውሳድ ዘተባብዖ ድማ ኣብ 1965 ዓ.ም ካብ ተማሃሮ ንቁሓት ባእታታት ናብ ተ.ሓ.ኤ ተሰሊፎም ስለዝነበሩ ኢዮም።

በዚ ድማ መሪሕነት ነዞም ዝተጠቐሱ ክፍሊ ሕብረተሰብ ንምውዳብ ናብ ኣሰመራ ኣክታቲሉ ሰለስተ ጉጅለታት ካብዞም መንእሰያት እዚኣቶም ልኣኸ፦

ኣብ መጨረሽታ 1965 ከኣ እዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት ናብ ኣስመራ ተላኣኹ።

- ደሳለ ኣብርሃምን ሃይለ ወልደሚካኤልን (ሃይለ ጀብሃ) ተማሃሮ ንምውዳብ
- ወልደዳዊት ተመስገንን ስዩም ዑቕባሚካኤን ሰራሕተኛታት ፋብሪካን ሰራሕተኛታት መንግስትን ንምውዳብ
- ግላይ ግርማይን ካልኦትን ንተመስሳሊ ስራሕን መጽናዕትታት ንምክያድ።

እንተኾነ ግን ናይዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ምንቅስቓስን ዕማምን ዝሕብእሉ ቦታን ምስጢር ብደቂቑ ዝፈልጥ ሓደ ካብ ቀንዲ ካድራት ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ኢትዮጵያ ኢዱ ሰለዝሃበ እቲ ፈተነ ብዙሕዝን ኣገባብ ፈሺሉ። ገሊኦም ተኣሲሮም ገሊኣቶም ከኣ ብታኣምር ክድሕኑ ክኢሎም።

እቲ ንኢትዮጵያ ኢዱ ዝሃበ ሰብ "ብምሉእ" ዝፍለጥ ሙሉጌታ ገርጊስ ዝተባህለ ኢዩ። እዚ ሰብ'ዚ በቲ ዝነበሮ ቦታ ንምንቅስቓስ ናይተን ጉጅለታት ባዕሉ'ዩ ኣካይዱዎ። ኣሰመራ ምብጽሖም ምስ ኣረጋገጸ ከኣ፡ ናብ ኢትዮጵያ ኢዱ ብምሃብ ቀልጢፉ ናብ ኣሰመራ ከይዱ ምስ ሓላፊ ጸጥታ ኣብ ኤርትራ ኮሎኔል ግርማ ወልደማርያም ኮይኑ ንሰለስተ ካብኣቶም ካብቲ ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ኣቐዲሙ ዝፈልጦ ቦታ ኣእሲሮም። እቶም ሽዑ ዝተኣሰሩ ደሳለ ኣብርሃም፡ ወልደዳዊት ተመስገንን ስዩም ዑቅባሚካኤልን ክኾኒ ከለው፡ እቶም ዝተረፉ ግን ከምልጡ ክኢሎም።

ብዘይካ'ዚ "ምሉእ" ከም መሰረታዊ ካድር ምስ ሰውራዊ መሪሕነት መጠን ብዙሕ ወተሃደራዊ ሓበሬታታትን ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ምቛም ወተሃደራዊ ክፍልታትን ብዙሒ ኣሃዱታትን ኩነታት ዕጥቀም ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ሒዙ ከይዱ። ምሉእ ጠንቂ መሰላሚኡ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝያዳ ምሁራት መንእሰያት ቅንኢ ሰለዘሕደረን መሪሕነት ነዞም መንእሰያት እዚእቶም ዋላ ኣብ ውሽጢ ከሰላ ከይተረፈ ክምድቦምን ክገደሰሎምን ሰለዝረኣየ እዚ ድማ ከም መጀመርታ ምውዳቕ ኾኸቡ ገይሩ ሰለዝቆጸሮ ኢዩ ይበሃል።

ጠንቂ ናይቲ ምስላም ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ብዘየገድስ፡ እቲ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ግዳይ ዝኾኑ ባእታታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣወንታዊ ውጽኢት ክርከቦ ዝኽእል ዝነበረ ሰውራዊ መሪሕነት ዘውጾኦ መደብ ከይተረፈ ዓቢ ጉዳኣት ኣውሪዱ ኢዩ። ተግባር "ምሉእ" ኣብ ኣእምሮ ሰውራዊ መሪሕነት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ቃልሲ ክርስትያን ንናጽነት ኤርትራ ኣይኣምንሉን እየ ዝበለ ዑስማን ሳልሕ ሳበ እንታይ ኣሰር ገዲፉ ግን ንፈልጦ የለን።

# 3. ዕጥቃዊ ግጭት ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ም.ሓ.ኤን

እቲ ኣብ ክፍላ 1965 ኣብ ዒላጻዕዳ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ም.ሓ.ኤ. ዘቆመቶ ዕጡቅ ኣሃዱን ዘጋጠመን ከም ውጽኢቱ ወተሃደራዊ ህላወ ሓረካ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘብቅዓሉን ወተሃደራዊ ግጭት፡ እቲ ተ.ሓ.ኤ ኣብ 1960 ካብ እትምስረት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝጸንሓ ነዊሕ ፖለቲካዊ ቁርቁስ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ከምዝበጽሐ ዝሕብር ኢዩ።

ቅድሚ ናብዚ ጉዳይ'ዚ ምእታውና ግን፡ ብዛዕባ ፍልልያት ክልቲኡ ውድባት ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝጠቐስናዮ ነቶም ቀንዲ ጉዳያት ንኣንባቢ ከነዘኻኽሮ ንፈቱ።

- ኣብ መንጎ ምትእኽኻባት ተማሃሮ ካይሮን ኤርትራውያን ወተሃደራት ኣብ ሱዳንን ብሓደ ወገን ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ከኣ በቲ ካልእ ብዛዕባ ኣገባባት ሓርነታዊ ቃልሲ ብዝምልከት ፍልልያት ምስ ኣጋጠመ፡ ክልቲኡ ምትእኽኻባት ንዝተወሰነ ግዜ ኣባላት ም.ሓ.ኤ ድሕሪ ምጽናሕ ጠንጢኖምዎ።
- መብዛሕቶኦም ኣባላት ም.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ወጻኢን ድሕሪ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ብቀጥታ ናብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ተሰጋጊሮም።

መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ፍሉይ ቅድመ ኩነት ድሕሪ ምምላእ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምእዋጅ ትሓሰብ ነይራ ዶ ዋላስ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኣእምሮኣ ኣይነበረን ብዘየገድስ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ድሕሪ ምጅማሩ ግን ብቐጥታ ወተሃደራዊ ክንፊ ኣብ ሜዳ ብህጹጽ ክህልዎ ብዕቱብ ሓሳበትሉ። ነዚ ክትሓስበሉ ዝጀመረት ከኣ ከምዝመስለና ንተበግሶ ሓምድ ንምቁጽጻር፡ ከምቲ ጣህር ፋዳብ ዝብሎ ናብ ግብጺ ብምስዳዱ ድዩ ወይ ብምክሳቡ፡ ምስ ፈሸለት ኢያ።

- ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣበላቱ ንዝነበሩ ፖሊስ ካብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1962 ንሜዳ ከምዝወጹ ገይሩ። ኣብዚ ጉጅለ ፖሊስ'ዚ ካብ ዝነበሩ ዑመር ናስር ሹም፡ መሓመር ስዒድ ሽምሲን ገምሓድ እድሪስን ይጥቐሱ። እቲ ጉጅለ ንኩሉ'ቲ ኣብ  መካዚኖ ፖሊስ ዝነበረ ሰለስተ ፈኩስቲ ረሻሻት ዝርከቦ ልዕሊ 50 ዝኸውን ኣጽዋር'ኳ እንተተቆጻጸሮን ንኣጠቓቕማ ብረት ዝፈልጡ ኣስታት 30 ሰባት ብምዕጣቅ ሒዞምዎ ክወጹ እንተኸኣሉን እቲ ፈተነ ግን ካብ ሰለስተ ሰሙን[69] ዘይሓልፍ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ኢዩ ፈሺሉ። ምኽንያት ፍሽለት ናይቲ ተመኩሮ ብዙሕ ኢዩ። ካብ ተገራጫዊነት እውን ናጻ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ኣደም ዓሊን ኣሕመድ ዑመርዲን ሙሓመድን[70] ግን ኣብ ኣርባዕተ ቀንዲ ጠንቂታት ይሳማምዑ ኢዮም።

1. መራሒ ናይቲ ስርሒት ዑመር ናስር ሹም እቲ ስርሒት ምስ ተተግበረ ኣብቲ መጀመርታ ስዓታት ካብታ ጉጅለ ምጥፍኡ። (ክራኸባ ስለዘይከኣለ ድማ ናብ ባርካ ክወርድ ተገዲዱ። ናብ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ድማ ተጸንቢሩ።)
2. ናብቲ ዳግመ ስርርዕ ክገብረሉን ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምርሉን ዝመደብዎ ዞባ ዳንከልያ ዝመርሖም ዝነበረ ግምሓድ እድሪስ ምስውኡ።

---

[69] ብዛዕባ ብዝሒ ብረትን ሰብን ሓበሬታ ዝሃበ ኣደም ዓሊ ኢዩ። ንሱ ሓደ ካብ ኣባላት ሓረካ ኮይኑ ካብቶም ኣብቲ ስርሒት ዝተስተፋ ዜጋታታ ኢዩ። እዚ ምስ ደራሲ ብ15/11/2003 ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኢዩ።

[70] ኣሕመድ ዑመርዲን እውን ሓደ ካብ ኣባላት ሓረካ ኣብቲ ስርሒት ዝተሳተፉ ኢዩ። ምስ ደራሲ ኣብ ኣስመራ ብ30/12/2003 ኣብ ዝገበሮ ርክብ።

3. ሓይልታት ፖሊስ ብዘይምቁራጽ ሰለዝሰዓብዎምን ምስኣታቶም ኣብ ብዙሕ ኵናት ብምእታዋምን ኣባላቱም ግዳይ ናይ ፋሕ ፋሕ ምዃኖምን።
4. ካብኣቶም ገለ ባእታታት ናብ ፖሊስ ኢዶም ብምሃብ መገዲ ይሕብርዎም ምንባሮም።

ናይ ሓይልታት ፖሊስ ምስዓብ ሰለዝበርትዖም ናብ ክልተ ጉጅለ ከምቀሉ ተገዲዶም። እታ ሓንቲ ጉጅለ ብመሪሕነት ኣደም ዓሊ ናብ ባርካ ገጻ ክትከይድ ከላ፡ እታ ካልኣይቲ ጉጅለ ከኣ ብመሪሕነት ሙሓመድ ስዒድ ሽምሲ ናብ ሰሜን ደንከልያ ኣቢላ፡ ክልቲኣን ጉጅለታት ግን ከም ኣሃዱታት ም.ሓ.ኤ ኮይነን ክቅጽላ ሰለዘይከኣላ ካብኣታተን ዝተረፋ ከም ውልቀሰባት ናብ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዝተጸንበሩን ካልእ ውልቃዊ ምርጫታት ዝወሰዱን ኮይኖም።

- ከምኡውን መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ኣብ መጨርሽታ 1963 ዓ.ም ከምቲ ናይ ቀዳማይ ፈተነ ዝመሳሰል ንፖሊስ ጊንዳዕ ናብ ሜዳ ንምውጻእ ዝዓለመ ካልእ ፈተነ ኣካይዳ። እንተኾነ ግን እዚ ፈተነ'ዚ እውን ቅድሚ ምትግባሩ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ሰለዝፈለጥዎ ፈሺሉ። እቶም ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ዝነበሮም ኣባላት ፖሊስ ድማ ተኣሰሩ።

መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ኣብዚ መድረኽ'ዚ ብናይ መስረታቱ ተጽዕኖን ብመስፍሕፋሕ ተ.ሓ.ኤን ተደረኹ ንእስተራተጂኡ ገዲፉ ምስቲ ጥርሑ ዘትርፎ ዝነበረ ሓድሽ ውድብ ኣብ ህልኽ ኣተወ። ሓደ ካብ መራሕቲ ሓረካ ኣብ ኣሰመራ ዝነበረን ንፖሊስ ጊንዳዕ ንኽውጽእ ዝተመዘዘን ሙሓመድ ብርሃን ሓሰን፡ ንሱን ሙሓየዲን ዓሊን ብኣቦ መንበር ም.ሓ.ኤ. ነቲ ዕማም ንኽፍጽሙ ከምዝተመዘዙ ይገልጽ። ብዛዕባ ዝሃብዎ መልስ ተግባር ክገልጽ ከሎ ከኣ። **"ንም.ሓ.ኤ. ዕጡቕ ሓይሊ ኣብ ሜዳ ክህልዎ ንደሊ ሰለዝነበርና ምስቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብሃንደበት ህላወኡ ዘረጋገጸን ብዘይ ገለ መቕድም ብስም ጭርሖ ዕጥቃዊ ሰውራ ኣባላት ሓረካ ዝውድብን ስምዒት ሓፋሽ ኤርትራ ዘለዓዕልን ዝነበረና ናይ ውድድር ስምዒትን ተደረኽና መድብ ተቐቢልናዮ።"**[71] ይብል።

ኣብቲ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ወተሃደራዊ ህላወ ኣብ ሜዳ ንኽህልዎ ካብ ዝነበሮ ድሌት ተበጊሱ ሓያል ጻዕሪ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ፖለቲካዊ ቁርቁስ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ሱዳን ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ በጺሑ ነይሩ። እዚ ኣብ እዋን ወተሃደራዊ ስርዓት ኢብራሂም ዓቡድ ብሰንኪ ተጻብእኡ ንሰውራ ኤርትራ ብሕቡእ ዝካየድ ዝነበረ ምትህልላኽ፡ እቲ ድሕሪ'ቲ ንጉዳይ ኤርትራ ዝደገፈን ንክልቲኡ ውድባት ንጥፈታቶም ንኽካይዱ ዓቢ ሓርነት ዘፍቐደን ናይ 1964 ሰውራ ጥቅምቲ ግን ግሁድ ኢዩ ኮይኑ።

ምስቲ ዝተረኽበ ሓርነት ከኣ ኩሉ'ቲ ተዓቢጡ ዝጸንሓ ወጺኡ። ክልቲኡ ውድባት ኣብ ነንሕድሕዱ ክጻላለምን ክካሰስን ፍልልያቱ ናብ ቅሉዕ ተጻብኦ ክልወጥን ጀሚሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እቲ ሓደ ጠንቃም እቲ ካልእ ከኣ ልስሉስ ነይሩ ኢልካ ክትዛረብ ከኣ ጌጋ ኢዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ "ሓረካውያን" "ጀብሃውያን" ፍኑዋትን ተጣላዕትን እናበሉ ክገልጽዎም ከለው፡ እቲኣቶም ከኣ ድኹማትን ናይ ዘረባን እናበሉ ይገልጽዎም ነይሮም። ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ ክልቲኡ ወገን ዘጋጥም ዝነበረ ምይይጣት ከኣ መብዛሕትኡ እዋን ገደብን ስነ ስርዓትን ዝሓለፈ ክሳብ ናብ ደረጃ ሃሳዪቲ ቃላትን

[71]መጽሓፍ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ- ሓደ ማዕርፎ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ቃልስና -ብጃንጃ ዓረብ- (ገጽ 50) ድራሲ መሓመድ ብርሃን ሓሰን።

ዘይወድዓዊ ጻርፌታትን ይበጽሕ ነይሩ። ከምኡ ከኣ እቲ ብወገን ጀብሃውያን ዝነበረ ናይ ዓወታትን ሓይልን ብወገን "ሓረካውያን" ዝነበረ ከኣ ናይ ድኽመትን ተስፋ ምቁራጽን ስምዒታት ተኣታትዩ ንዝምድና ክልቲኡ ወገን ናብ ናይ ተጻባእቲ መልክዕ ኣማዕቢልዎ።

ነቲ ሻራ ዘይብሎም ሱዳናውያን ወገናት ንክልቲኡ ውድባት ንምስምማዕ ዘካየዱዎ ጻዕሪታትን ተበግሶታትን ዘፍሸሎ ከኣ፡ እቲ ሽዑ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ናይ ጽልኢ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኢዩ። ሓደ ካብተን ነዚ ተበግሶታት ዘካየደ ከኣ እቲ ድሕረ ሰውራ ጥቅምቲ 1964 ዝቆመት ማሕበር ምሕዝነት ኤርትራን ሱዳንን ኣብ ካርቱም ኢዩ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብመንጎኝነት ናይዚ ዝተጠቕሰ ማሕበር ምስ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ዋላ ንስለ ምርኻብ'ውን ከምዘይቅበል ገሊጹ። ኣብቲ ነቲ ማሕበር ዝቐረበሉ ዕድመ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት በጺሑ ዝነበረ ሓያል ጽልኢ ብሓደ ወገን ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ናይ ሓይልን ደልዲልና ኢና ዝዓይነቱን ስምዒት ከኣ በቲ ካልእ ዘንጸበርቐ ነይሩ። ኣብቲ ብ17/11/1964 ዝጸሓፎ መልሲ ከኣ ነቲ ሰናይ ድሌት ናይቲ ተበግሶ ድሕሪ ምምጓስ ነዚ ዝስዕብ ሓቢሩ።

"ቀዳማይ- ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ ቃልሲ ኤርትራ ብዘይካኡ ዝኾነ ይኹን ካልእ ውድብ ብፍጹም ኣይፈልጥን ኢዩ። እንተድኣ ኣብ ስራሕ ኣሎኹ ኢሉ ዝዛረብ ወገን ኣሎ ኮይኑ ድማ ኣሕዋት ሱዳናውያን ብመጀመርታ ነቲ ህዝባዊ ዕጥቃዊ ሰውራ ዝመርሕ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድብ መን ምኳኑ ንምፍላጥ ኣብ ዝቐልጠፈ መርማሪት ከሚተ ከቑሙ ንሓትት።

ካልኣይ- እታ መርማሪት ኮሚተ ስርሓታ ክሳብ እትፍጽም ድማ ፖለቲካዊ ኣካል ተ.ሓ.ኤ. በዘን ዝስዕባ ነጥቢታት ክምእዛዝ ኢዩ።

ሀ. ኢዱ ኣብ ልዕሊ ዝኾነት ትኹን ዘይንጽህቲ ኢድ ክንብር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነቲ ስም ተ.ሓ.ኤ. ዝተጻሓፈሉ ደም ምጥፋእ ስለዝኾነ።

ለ. ኣብ ዝኾነ ንውድቡ ምስ ካልእ ንምስማር ዝዓለመ ዘተ ኣይክኣቱን ኢዩ።

ሐ. መርማሪት ኮሚተ ስርሓ ቅድሚ ምዝዛማ ንዝኾነ ወገን ዝወሃብ ሓገዝ ንነጽግ። እቲ ንዝኾነ ኤርትራዊ ወገን ካብ ወጻኢ ዝወሃብ ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ሕክምናዊ መሳርሒታትን ግን ናብ ሱዳን ንኽኣቱ ናጻ ክኸውን ኣለዎ ንብል።

መ. ዝኾነ ስራሕ በዚ ኣብሪህናዮ ዘሎና ዘይቅየድ ድማ ተ.ሓ.ኤ. ምስ ህዝቢ ኤርትራ ምትእስሳር ከምዘይብሉ ስራሕ ኢዩ ዝርእዮ"[72]

ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ሰፊኑ ዝነበረ ጽልኢ ብመጠኑ ዘርዚሩ ኣቕሪቡዎ ኢዩ። ገለ ካብቲ ንሱ ዘቕረቦ ንምጥቃስ "ብሰንኪ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝተኸተሎ ሓደገኛ ኣገባብ ኣብ ከተማታት ፖርትሱዳን ገዳርፍን ዳማዊ ውግኣት ኣብ መንጎ ኣባላት ተሓ.ኤን ም.ሓ.ኤን ብበትርን ከራሩን ኣጋጢሙ። ብሰንኪ'ቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ተጻብእ ድማ ተጋዳላይ ሙሓመድ ኑር ናይር ኣብ ፖርትሱዳን ተሃሪሙ። ክሳብ ሎሚ ድማ በሰላ ናይቲ ማህረምቱ ኣብ ግንባሩ ብንጹር ይርአ ኣሎ። ሓላፊ ዋህዮታት ሓረካ ኣብ ዴም ኣቡሓሺሽ ኣብ ፖርትሱዳን ዝነበረ ሼኽ ሙሓመድ ስዒድ ሼኽ ሳልሕ ድማ ብተደጋጋሚ ተሃሪሙ። ከምኡውን ኣብ ልዕሊ ሓላፊ ጨንፈር ም.ሓ.ኤ. ኣብ ገዳርፍ ሓው ስራጅ ሙሓመድኑር ተጻብኦ ተፈጺሙ። ብዘይካዚ ብዙሕ መዓልታዊ ተጻብኦታት የጋጥም ነይሩ።" ይብል[73]

---

[72] ጣህር ፈደብ መጽሓፍ፡ ም.ሓ.ኤን ታሪኻዊ ጉዕዞኡን ገጽ 78 (ብቛንቛ ዓረብ)

[73] ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሓቂን ታሪኽን ገጽ 392 (ብቛንቛ ዓረብ)

ልክዕ'ዩ፡ ሙሓመድ ስዒድ ናውድ ኩሉ'ቲ ዘጋጥም ዝነበረ ንተ.ሓ.ኤ. ኢዩ ዘሰከሞ። ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ሓረካን ኣባላታን ግን ትንቅፍ ቃል'ውን ትኩን ኣየስተኾን። እሰከ እቲ ዝተባህለ ይኹን፡ ጥዑይ ኣእምሮ ክሳብ ክንደይ ከይኣምኖ። ንዓና ዘገድሰና እጃም ናይ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ብዘየገድስ፡ ኣብቲ ኣዋን'ቲ ተጻብኦ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ከምዝነበረ ምፍላጥ ኢዩ። እቶም መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ዝበሃሉ፡ ቅድም መሰረታት ሓረካ ዝነበሩ ዶ ኣይኮኑን?

እምባኣርከስ እቲ ተጻብኦ ኣብቲ መድረኽቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ተ.ሓ.ኤን ም.ሓ.ኤን **"ደማዊ ኵናት"** **"ብበትርን ከራሩን"** ኣብ ዝተካየደሉ ደረጃ በጺሑ ነይሩ። እዚ ድማ ክልቲኦም ሸንኻት ጋሻ ኣብ ዝኾንሉ ወጻኢ ሃገር ማለት ኢዩ። ዝምድንኦም ኣብ ሱዳን ናብዚ ደረጃ ካብ በጽሓ፡ ክልቲኦም ወገናት ካብ ሳልጣንን ሕጊን ወጻኢ ተራኺቦም ነይሮም እንተዝኾኑ ከ እቲ ኩነታት ከመይ ምኾነ ነይሩ?

ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ቁጽሮም ካብ 30 ዘይበዝሑ ሓደ ዕጥቅ ጉጅለ ናብ ሜዳ ናብ ሕምብርቲ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ ዝርከበሉ ቦታ ኣእተወ። እቲ ዝተጠቕሰ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ናይ ተጻብኦ ኩነታት ጥራይ ዘይኮነ መሪሕነት ሓረካ ላዕለዋይ ባይቶ ምስኡ ኮፍ ምባል ከምዝነጻግን ኣንጻሩን ኣንጻር ውድቡን ክሳብ ክንደይ ጽልኢ ከምዝነበሮ ጽቡቅ ገይሩ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ።

እቲ ንተዓዛቢ ዘገረም ድማ መሪሕነት ሓረካ ውጽኢቱ እንታይ ከምዝኸውን ኣቐዲሙ ይፈልጥ ክነሱ፡ ሰለምንታይ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ከምዝወሰደ ኢዩ። ሓሳባቱ ከ እንታይ ነይሩ? ካብቲ ዘገርም፡ መሪሕነት ሓረካ ነዚ ጉጅለ'ዚ ንምውጻእን ብረት ንምርካብን ዝወስዶ ዝነበረ ስጉምቲታትን ምድላዋትን ኩሉ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቅሉዕ ሰለዝነበረ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ብቐጥታ ሜዳ ምስ ኣተው ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናይ ምቅንጻሎም ውሳነ ኣቐዲሙ ንክወስድ ኣክኣሎ። ካድራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ተጽዕኖታት መሰረታቶም የሽግሮም ሰለዝነበረ ንኣባላቶም ተስፋ ንምሃብ ብምስጢር ክትሓዝን ዝነበሮ ጉዳያት የቃልዕዎ ነይሮም። ንኸትዘረበሉ ግዚኡ ዘይኣኸለ ጉዳያት ከኣ ይዛረብሉ ነይሮም።

እቲ ኣርባዕተ ዝተሰውኡን ዝተረፉ ተማሪኾም ዝተፈትሕሉን ስርሒት ዒላ ጻዕዳ ከኣ፡ መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ወተሃደራዊ ክንፊ ንኽህልዎ ዝገበሮ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ፈተነ ኢዩ ነይሩ።

ስርሒት ዒላጻዕዳ ዝሕዝን ፍጻመ ዝገብሮ ከኣ፡ መስርሕ ዘተ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ዕጹው መገዲ ድሕሪ ምብጽሑ ዝመጸ ብዘይ ምኻኑ ኢዩ። ዝምድና ክልቲኡ ውድባት ካብ መጀመርታ ኣብ ዘተ ዘይኮነስ ኣብ ናይ ተጻብኦ ባይታ ኢዩ ተመስሪቱ። ክልቲኡ ውድባት ንተመራማሪ ብዛዕባ መርገጺታት ናይ ክልቲኡ ወገን ንጹር ርእይቶ ንኽህብ ዝሕግዝ ዕቱብ ዘተ ዘይኣተውሉ ምኽንያታት ከኣ በዚ ዝተጠቕሰ ኢዩ። ታሪኽ ናይ'ዚ ጉዳይ እዚ ከኣ፡ ብሓቂ ናጻ ምርምር ንክግበረሉ ዝዕድም ኢዩ።

እንተ ድኣ ነቲ ጉዳይ ካብ መጀመርትኡን ጠንቂታቱን ሒዝናዮ ድማ ንመሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ናጻ ጌርካ ንኩሉ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከተስከም ዘይካኣል ኢዩ። መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ነቶም መንእሰያት ናብ ኣቐዲሙ ይፈልጦ ንዝነበረ ውጽኢት ብምድፋእ ንጥፍኣት ከም ዘቃልዮም ግድን ክንቅበሎ ዘሎና ሓቂ ኢዩ። ሰለዚ እቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝወስዶ ስጉምቲ ገበን እንተድኣ ኮይኑ፡ መሪሕነት ም.ሓ.ኤ. ዝወስደ ስጉምቲ ካብቲ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝደፋፍኦ ውድባዊ ሓሳባት ዘይፍለ ዘንቐሎ፡ ውጽኢቱ ኣብ ግምት ዘየእተወ ተጠላዒ ስጉምቲ ኢዩ።

# 4. መልሲ ተግባር ኢትዮጵያ ኣብ ምቛም ወተሃደራዊ ክፍልታት

ኢትዮጵያ ቅድሚ ምቛም ክፍልታት፡ ባርዕ ሰውራ ንምጥፋእ ዝተኸተለቶ ወተሃደራዊ ፖሊሲ ኣብ በረኻ ኣሃዱታት ሰውራ ብተካታታሊ ምስዓብን ሓደገኛነቶም ቅድሚ ምዝርጋሑ ኣብ ባርካን ጋሽን ከለው ምጽናቶም ዝብል ኢዩ ነይሩ። እዚ ድማ ብመገዲ ሓይልታት ፖሊስን ፊልድፎርስን ኤርትራ ኢዩ ዝካየ ነይሩ። ብተወሳኺ ድማ ነቶም ደቆም ናብ ሜዳ ዝስለፉ ስድራቤታት ሓበራዊ መቕጻዕቲ ምክያድ ነይሩ።

እዚ ኣብ ውሽጢ'ተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ምርግጋጹ ምስ ስኣነ ድማ ካብቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሓደ ክፍለ ሰራዊት ናይ ኢትዮጵያ፡ ኣብቲ ኵናት ኣሰተፈ። ስሩዕ ሰራዊት ኢትዮጵያ (ጦር ሰራዊት) ንመጀመርታ ዝተሳተፎ ኵናት ኣንጻር ተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ መጋቢት 1964 ኣብ ባርካ ጥቓ ሳዋ "ተኅርባ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኢዩ። ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ ሓይሊ ጦር ሰራዊት ኣብ ምምካት ተጋደልቲ ሰውራ እንተ ተሳተፉ'ኳ፡ ካብቲ ናይ ሓይልታት ፖሊስን ፊልድፎርስን ዝተፈልየ ውጽኢት ከረጋግጽ ኣይከኣለን። ሓይሊ ጦር ሰራዊት ሕማቕ ዕድል ኣጋጢሙዎ ድሕሪ ኵናት ተኅርባ ተጋደልቲ ሰውራ ብ6 ሚያዝያ 1964 ኣብ ጥቓ ዓዲ ጃዕፈር ካብ ከተማ ባረንቱ ብወገን ምዕራብ ኣብ ዝገበረሉ ድብያ ብርቱዕ ማህሰይቲ ወሪዱዎ ኢዩ።

ተጋደልቲ ሰውራ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ምንጪ ዕጥቆም እቲ ሃንደበት መጥቃዕቲ ዝፍጽመሉ ዝነበረ ድኹም ንቑጣታት ፖሊስ ኢዩ ነይሩ። ካብቲ ዝካየድ ዝነበረ መጥቃዕቲታት ድማ ተጋደልቲ ካብ 20 ክሳብ 30 ብረት ዝበጽሕ ይስልቡ ስለዘበሩ ቁጽሮም እውን ብኡኡ መጠን ይውስኽ ነይሩ። ሓደ ሓደ ግዜ ልዑል ዋጋ ናይ መራሕቱ ይኸፍሉ'ኳ እንተነበሩ፡ በቲ ንዕላማ ናጽነት ዝውፈዩ ዝነበሩ ተሰናቢዶም ካብ ምርጫኦም ነቕ ኣይበሉን።

ከምኡ'ውን ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ፡ ነቲ ኵናት ሃይማኖታዊ መልክዕ ንምትሓዝ ነቲ ኣቐዲምና ዝተዘረብናሉ ካብ ክርስትያን ዝቆመ ሓይሊ ኮማንድስ ኣስልጠኑ። እዚ ሓይሊ'ዚ ድማ ኣንጻር ተጋደልቲ "እስላም-ዓረብ" ዝተሰምዩን ዓዲታቶምን ስድራኦምን ከምድላዮም ክገብሩ ኣብ መጨረሽታ 1964 ናብ ሜዳ ወሪዱ። እንተኾነ ግን እዚ ውጥን'ዚ እውን ንግስጋስ ሰውራ ደው ካብሎ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ ሰውራ ኤርትራ ቅድሚ ምቛም ክፍልታት ካብ ዘረጋገጸ ዓወታት፡ ገሊኡ እቲ ኩነታት ናበይ ገጹ ከምዝምዕብል ዝሕብር ናይ መጠንቐቕታ ጥሩንባ ኢዩ ነይሩ። ካብኣን ድማ ምድልዳል ቅልጽም ሰውራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣሃዱታት ሰውራ ኣብቲ ንኢትዮጵያውያን ብፍላይ ተኣፋፊ ዝኾነ ከባቢታት ከምዝበጽሑ ዘብርህ ክልተ ኣብነታት ክንጠቕስ ንፈቱ። ንሳተን ከኣ፡-

- ነቲ ካብ ከተማ ምጽዋዕ ርሑቕ ዘይኮነ ንቑጣ ፖሊስ "ሽዕብ" ብ13/1/1965 ምጥቃዕን ምቁጽጻርን። ተጋደልቲ ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ልዕሊ 20 ብረት ሰሊቦም። እዚ መሓመር ስዒድ ሽምሲ[74] ዝመርሐ መጥቃዕቲ'ዚ ኣብ ሰምሃር ብዓይነቱ ናይ መጀመርታ ኮይኑ፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሰፋሕፍሕ ወተሃደራዊ ሰራሕ ዕውት መፈለምታ

[74] ሙሓመድ ስዒድ ሽምሲ ሓደ ካብቶም ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምክያድ ኣብ ታሕሳስ 1962 ካብ ምጽዋዕ ዘውጽኣቶም ፖሊስ ኢዩ። እቲ ምንቅስቓስ ብኣጋኡ ምስ ተቆጽየ ድማ ሽምሲ ብደንከል ኣቢሉ ንስዑድያ ሰጊሩ። ካብኡ ተመሊሱ ከኣ ኣብ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ተሰሊፉ።

ጥራይ ዘይኮነስ ንወተሃደራዊ ውጥናት ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣቐንዛዊ ማህረምቲ እውን ነይሩ።

- ምቅታል መራሒ ፖሊስ ኣውራጃ ሰንሒት ሌተናንተ ኮሎኔል ገብረኪዳን ተስፋይ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ከረን ብ17/6/1965 ብተባዕ ናይ ፈዳይን ስርሒት። እዚ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማታት ኤርትራ ዝቐተል ልዑል ዝደረጅኡ ሓላፊ ናይ መጀመርታ ኢዩ ነይሩ።

ሓደገኛነት ሰውራ ካብ ቁጽጽር ከምዝወጸን ናብቲ ዋና ከተማ ኣሰመራ እተማእከሎ ከበሰታት ኤርትራን ከምኡውን ወደብ ምጽዋዕ ዝርከበሉ ምብራቓዊ ጎልጉልን ክቀላቀል ከምዝጀመረን ንኢትዮጵያውያን ብሩህ እናኾነ መጺኡ። ብድሕሪ'ዚ ምዕባለታት'ዚ ምቛም ክፍልታት ኮይኑ ሳልሰይቲ ክፍሊ ናብ ከበሳታት፡ ራብዓይቲ ክፍሊ ድማ ናብ ምብራቓዊ ጎላጉል ግዜ ከየጥፍኣ ገስገሳ። ድሕሪ ብርቱዕ ውግኣት ድማ ኣብቲ ሓድሽ ቦታኣን ህላወኣን ኣረጋገጸ። ቀንዲ ካብቲ ሽዑ ዝተኻየደ ውግኣት ብ15/9/1965 ራብዓይቲ ክፍሊ ናብ ቦትኣ እናተጓዕዘት እንከላ፡ ኣብ መንሳዕ ምሕላብ ዘካየደቶ ኵናት ከኸውን ከሎ፡ ኣብዚ ኵናት'ዚ ምክትል መራሒ ክፍሊ ዓብደላ ሙሓመድ ባሪህ ዝርኸቦም 21 ስውኣት ከፊለት። ከምኡውን ብ19/9/1965 ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ንቦትኦም እናኸዱ እንከለዎ ኣብ ሰራየ ማይላም ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ዘካየዱዎ ኵናት ገለ ተጋደልቲ፡ ሓላፊ ሕክምና ናይቲ ክፍሊ ሑሴን ደፍር ዝርከቦም ኣሰዊኦም። እንተኾነ፡ ፍሉይ ትርጉም ምቛም ክፍልታት ንጻላኢ፡ ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ማእከል'ቲ ዝተመደበላ ቦታ ምብራቓውን ደቡባውን ከተማ ምጽዋዕ ብዓወት ክትበጽሕ ምኽኣላን፡ ሳልሰይቲ ክፍሊ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ምድፋእን ምዝላቕን ዝነበሮ ውግኣት ናብ ከበሳ ምብጻሓን ቀዳሞት ኣሃዱታታ ኣብ ኣከለጉዛይ ምቕልቓለንን ኢዩ።

ኣብ ቅድሚ'ዚ ብኩሉ መለክዒታት ሓድሽ ዝነበረ ምዕባለታት'ዚ ድማ ጻላኢ ነቶም **"መሳርሒ ወጻእተኛታት...ግብረሽበራውያን"** ዝበሎም ተጋደቲ ሰውራ ንምድምሳስ ኣብቲ ኵናት ተወሰኺ ሓድሽ ባእታ ኣተኣታተወ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ ሰለስቲኣን ኣውራጃታት ከበሳ፡ ሓማሴን፡ ሰራየን ኣከለጉዛይን ዝርከቡ ሓረስቶት ምዕጣቅ ነይሩ። ነዚ ስጉምቲ'ዚ ንምውሳድ ከም መመኽነይታ ዝኾኖ ካብ 7 መስከረም ክሳብ 7 ጥቅምቲ 1965 ዝቕጽል **"ንካብ ሕጊ ዝወጹ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ዝርከቡ"** ሓፈሻዊ ናይ ምሕረት ኣዋጅ ኣቐዲሙ ኣውጺኡ። እቲ ናይ ምሕረት ኣዋጅ ንኢዶም ዝሃቡ ተጋደልቲ፡ ብመሰረት ዝማልእዎ ዕጥቂ ናይ ገንዘብ መተባብዒ ዝህብ ኮይኑ፡ ቦምባ ኢድ ዝሓዘ 20 ብር ኢትዮጵያ ከወሃቦ ከሎ፡ ፈኵስ ረሻሽ (ብሬን) ዝሓዘ ድማ 600 ብር ከወሃቦ ኢዩ ይብል።[75]

ምትእትታውን ውዳበን ከም ዝነበሮ ጉህድ ኣብ ዝኾነሉ መስርሕ ድማ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንናይ **"ወጻእተኛታት መሳርሒ"** ዝኾኑ **"ግብረ ሽበራውያን"** ንምጥፋእ ብህጹጽ ብረት ዝጠልብ ህዝብን ሽማግለታትን ዝተሳተፍዎ ሰልፍታት ካብ 30/10/1965 ክሳብ 20/11/1965 ኣብ ኣውራጃታት ሰራየ፡ ሓማሴንን ኣከለጉዛይን ኣካየዱ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር እታ ኣብ ኣሰመራ እትሕተም ጋዜጣ **"ሕብረት"** ገለ ካብቲ ብዛዕባ'ቲ ሰልፍታት ዘሰፈረቶ ነቕርብ።

[75] ጋዜጣ ሕብረት ቁ 663 - ዕለት 11/8/1965

ጋዜጣ ሕብረት - ዕለት 2-11-1965

እታ ጋዜጣ፡ ህዝቢ ሰራየ ናብ ኣስራት ካሳ (ኣመሓደሪ ጠቕላይ ግዝኣት ኤርትራ) ተለግራም ብምልኣኽ ንወከልቱ ከረኽቦም ወይ ድማ "ኲነታት ጸጥታ ናይታ ኣውራጃ" ንምምይያጥ ንኽመጾም ጠሊቦም ነይሮም ምስ በለት፡ "ክቡር ኣሰራተ ካሳ ኣብ ክንድኡ ንክቡር ደጀዝማች ተስፋዮውያንስ በርህ (ምክትል ኣመሓደሪ ጠቕላይ ግዛት ኤርትራ) ን ቀናዝማች ኣለም ማሞ ኣመሓደሪ ውሽጣዊ ጉዳይን ሊኢኹ። ንሳቶም ድማ ሰንበት (30/10/1965) ናብ ከተማ ዓዲ ወግሪ (መንደፈራ) ኣትዮም። ካብ ኣርባዕተ ሽሕ ንላዕሊ ነበርቲ ናይቲ ኣውራጃን ኣመሓደሪ ኣውራጃ ሰራየ ፊተውራሪ ገብረክርስቶስ ወልደሚካኤልን ካልኦት ሰበ ስልጣንን ድማ ተቐቢሎምዎም።" ክትብል ጽሒፋ።

ገለ ካብቲ ዓበይቲ ዓዲ ዝበልዎ ኣብታ ጋዜጣ ዝሰፈረ ድማ፡ "ንሕና ህዝቢ ኣውራጃ ሰራየ ኣብ ዝተፈለለየ ምዕራፋት ታሪኽ ዝተቃለሰና ኢና። ገና እውን ንምእንቲ ሓድነትና ምስ ኣደና ኢትዮጵያ ክንቃለስ ኢና። ንሕና ንግብረሽበራውያን ካብ ዝኾነ ከባቢ ንምጥፋእ መንግስቲ ከፍቅደልና ንሓትት ኣሎና። ንግብረሽበራውያን ንምጥፋእ ዝካየድ ዕማም ድማ ናይ መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኩሎም መንግስቲን ህዝብን ዝተሓጋገዝሉ ስራሕ ኢዩ።" ኢሉ። ብድሕሪ'ዚ እቶም ዓበይቲ ዓዲ "ዘመናዊ ኣጽዋር ክወሃቦምን ምስ መንግስቲ ዘሎ ብረቶም ክምለሰሎምን" ጠሊቦም። ብተወሳኺ ብረት ንኽገዝኡ ክፍቐደሎምን ጠያይቲ ክወሃቦምን ሓቲቶም።

ጋዜጣ ሕብረት - ዕለት 16-11-1965

"ስዓት 12 ፍርቂ መዓልቲ ሰንበት (14-11-1965) ናብ ቤተ መንግስቲ ኣሰመራ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ህዝቢ ምስ ምስሌነታቶም ካብ ኣውራጃ ሓማሴን ባንዴራታት ኢትዮጵያ ሒዞም መጺኦም። ሰላም ዜጋታት ንምሕላው ናይ ወጻእተኛታት መሳርሒ ዝኾኑ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ንምጥፋእን ድማ ብረት ክወሃቦም ንመንግስቲ ሓቲቶም። ነዚ ህዝቢ ከመጽእ ከሎ ዝመረሖም ኣመሓደሪ ኣውራጃ ኣስመራን ሓማሴንን ቀናዝማች ኣልኣሚን እድሪስ ኣደምን ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ናይቲ ኣውራጃን ነይሮም።" መብዛሕትኡ እቲ ሰልፈታት "ምድምሳስ ናይ ወጻእተኛታት መሳርሒ" "ንሕና ንጸላእቲ ሃገርና ኩብርና ክትንክፉ ኣይከነፍቅድን ኢና"። ዝብል ጭርሖታት ዝሓዘ ታቢላታት ኣልዕሎም ከም ዝነበሮ ድማ እታ ጋዜጣ ሓቢራ። "ቀሺ ምሕረትኣብ ሃይሉ ብስም ህዝቢ ኣውራጃ ሓማሴን" ኣብ ዘስምዖ ቃል ድማ፡ "ነዚ ርክብ'ዚ ስለዘፍቀድኩምልና (ኣስራተ ካሳ) ነመስግን። ንሕና ህዝቢ ኣውራጃ ሓማሴን ንሃገርና ዘሎና ተወፋይነትን ኣብ ኢትዮጵያውነትና ዘሎና ክብርን ካብ ነዊሕ ታሪኽ ዝተፈልጠ ኢዩ። ንክብሪ ሃገርና ካብ ዝኾነ ተጻብኦታት ንምክልኻል ድማ ድልዋት ኢና። ነዚ ዘሎና ልዕል ድሌት ንምርግጋጽ ድማ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ብመገዲ ኣማሓዳሪ ወረዳ ሽፋቱ ንምጥፋእ ብረት ከወሃበና ሓቲትና ኔርና። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ቅዱስ ዕለማታትና ንካብ ሕጊ ዝወጹን ንጸጥታ ሃገር ዝህውኹን ምጥፋእ ኢዩ። ቅሳነትን ስርዓትን ንምውሓስ ሰላም ዜጋታት ንምርግጋጽ ከኣ ዝኾነ ሽፍታ ክጠፍእ ኣለዎ።" ኢሉ ክትብል እታ ጋዜጣ ኣሰፊራ።

ጋዜጣ ሕብረት - ዕለት 24-11-1965

"ዝሓለፈ ቀዳም (20-11-1965) ነበርቲ ኣውራጃ ኣኮለጉዛይ፡ ብወከልቶምን ዓበይቲ ዓዶምን ምስሌነቶምን ኣቢሎም ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ ከም ኩለን ካልኦት ኣውራጃታት፡ ጠቅላይ ግዝኣት ኤርትራ ጸጥታን ርግኣትን ኣብ ምስፋን

ንኽሳተፉ ብረት ንኽዓጥቑ መንእሰያቶምን ዓበይቶምን ከዕጥቀሎም ናብ መንግስቲ ጠለብ ኣቕሪቦም። ኣብዚ ዓቢ ህዝባዊ ኣኸባ'ዚ ደጀዝማች ተስፋዮውሃንስ በርሀ ምክትል ኣመሓዳሪ ጠቅላይ ግዝኣት ኤርትራ፡ ከምኡዉን ፊተውራሪ ላይነ ኪዳነማርያም ኣመሓደሪ ኣውራጃ ኣኮለጉዛይ፡ ሓላፊ ፖሊስ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ኮሎኔል መንግስቱ ክፍላይ፡ ኣማሓደርቲ ወረዳታትን ካልኦት ወግዓውያን ኣዛዝቲ ፖሊስን ሲቪልን ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይቲ ኣውራጃ ዝመጹ ብዙሕ ህዝብን ተረኺቦም ነይሮም።" ክትብል ኣስፊራ።

ብስም ህዝቢ ካብ ዝቐረበ መድረ፡ እዚ ዝስዕብ ንጠቅስ፡-

"ኩሉን ጠቅላይ ግዝኣታት ኢትዮጵያ ሰላም ሰፊኑለን ኣብ ዘሎ እዋን፡ ገለ ናይ ወጻእተኛታት መሳርሒ ዝኾኑ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ንሰላም ኤርትራን ንነባሪ ሓድነተና ንምብታንን ንምዝራግን ዝፍትኑ ኣይተሳእኑን። ይኹን'ምበር እዞም ሽፋቱ እዚኣቶም ዝገበሩ እንተገበሩ ኣብዚ ኣውራጃ'ዚ ኣሰር የብሎምን። እንተኾነ ግን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ገለ ግብረሽበራውያን ኣብዚ ከባቢታት ተራእዮም ምስ ተባህለ፡ ምስሌነታትን ዓበይቲ ዓድን ወከልቲ ህዝብን ተኸታታሊ ኣኼባታት ብምክያድ ንዝኾነ ዓይነት ግብረሽበራ ንምድምስስ ብረት ንኽጠልቡ ናብ ኣሰመራ ወከልቲ ክሰዱ ወሲኖም።" ኢላ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እምበኣር መልሲ ሓለፍቲ ብረት ካብ ምሃብ ሓሊፉ እንታይ ከኸውን ይኽእል? እቲ ጉዳይ ካብ ሀ ክሳብ ፐ ዝተወደበ ኢዩ። እቶም ዘለዓዕሉን ዝውድቡን ካድራት ዝተወሰኑ ኢዮም። ኣብ ውሽጢ'ቲ ምትእኽኻብን ኣብ ወሰናስኑን ንዝብኮሩ ዝከታተሉ ሃሱሳታትን ኣባላት ጸጥታን እውን ብመደብ ዝተዘርጉሑ ኢዮም።

ንሕና እቲ ኩሉ ዝተኻተደ ሰፊሕ ሰልፊታት ተሳተፍቲ ብግዲ ተኾብኪቦም ዝተሳተፈሉ ተዋስኦ ኢዩ ነይሩ ክንብል ኣይንክእልን ኢና። ምክንያቱ ገና ተረፍ መረፍ ናይ ሰልፊ ኣንድነት ንኢትዮጵያ ዝዝምሩ ነይሮም ኢዮም። እቲ ዝበዝሐ ግን፡ ንሓቀኛነት ሰውራ ካብ ዘይምርዳእ በቲ ናይ ጸላኢ ናይ "ወጻእተኛታት መሳርሒ" ኢዮም ዝብል ፕሮፓጋንዳ ተዳናጊሮም ዝተስተፉ ኢዮም። ይኹን'ምበር መብዛሕትኡ ህዝቢ ኣብቲ እዋን'ቲ እምነቱ ካብ ስርዓት ኢትዮጵያ ስሒቡ ከምዝነበረ ሩዱእ ሓቂ'ዩ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ምሁራት ክፍልታት። ኣብ 1956 ን 1958 ኣብ ኣሰመራ ዝተኻየደ ተቓውምታት ተማሃሮን ስራሕተኛታትን ድማ ንህዝባዊ እምነት ኣብ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ምጉዳል ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ኣብ ከበሳ ኣብ መንጎ ህዝብን እቲ ስርዓትን ከኣ ዓቢ ጋግ ፈጢሩ። ርሑቅ ከይከድና ኣብዚ ዝምልከተና ዓመት፡ ማለት ኣብ 1965 ዓ.ም ኣብ ወርሒ መጋቢት ብፍላይ ኣብ ዋና ከተማ ኣሰመራ ሰፊሕ ናይ ተማሃሮ ሰላማዊ ተቓውም ተኻይዱ ነይሩ። ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኣሰራቱ ካሳ ተገዲዱ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ከኣ፡ "ንኣመሓደርቲን ሓላፍትን ርእሰ መምሃራንን ኣብያተ ትምህርቲ መንግስቲን ህዝብን ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ፍጻሜታት ተማሃሮ ኣመልኪቱ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ንተማሃሮኦም ብጹቡቅ ሰነ ስርዓትን ስነ ምግባርን ከመሓድርዎም ግቡኦም ምዃኑ ኣረጋጊጹሎም።"[76] ምስ በለት እታ ጋዜጣ፡ ነቶም ኣኸባኛታት ብዛዕባ እቲ ጉዳይን መፍትሒኡን ነዚ ዝስዕብ ኣቕሪበሎም።

"እቲ ተማሃሮ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝፈጸምዎ ስለእትፈልጥዎ ሕጂ ኣብዚ ምትንታኑ ኣገዳስነት የብሉን። ብሓፈሻኡ ግን እዞም ተማሃሮ እዚኣቶም ኣብ ኣብያተ ትምህርቶም ስርዓት ከም ዘየኽብሩ ኢዩ ዘብርሃልና። እዚ ሎሚ ምሳኹም ኣኼባ

---

[76] ጋዜጣ ሕብረት ቁ565- ዕለት 18-3-1965

ንኽገብር ዝደረኾኒ ከኣ ንሱ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምሳኻትኩም ሓሳባት ንምልውዋጥን ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ከተማ ይኹን ኣብ ገጠር ንሰነ ምግባር ተማሃሮ ዝቆጻጸርን ዝመርሓን ኮሚተታት ብዛዕባ ዝቆማሉ ኣገባባት ንምምይያጥ ኢዩ።"[77]

እቲ ኣብ ሰለስቲኡ ኣውራጃታት ንግብረሽበራውያንን ናይ ወጻኢ መጋበርያን ንምድምሳስ ብረት ዝጠልብ ዝተኻየደ ሰልፊታት ከኣ ብግምትና ክልተ ነገራት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ውጥን ኢዩ ነይሩ።

ቀዳማይ፡- ነቲ ኣብ ኣከለጉዛይን ሰምሃርን ዝበጸሐን ኣብ ሰራየ ተኸታታሊ ውግኣት ዘካይድ ዝነበረን ግስጋሰ ሰውራ ካብ ከበሳ ንምዕጋት ብረት ዝዓጠቐ ናይ ህዝቢ ዕርዲ ንምቝም።

ካልኣይ፡- ንህዝቢ ከበሳ፡ ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ኣስመራ ብንጹር ቋንቋ መጠንቀቕታ ምምሕልላፍን ናይ ዘይተማእዛዝነት ሳዕቤን ምግላጽን ንደቁ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ሸለል ከይብል ኣብ ልዕሊኡ ተጽዕኖታት ምክያድን ኢዩ ነይሩ። ነዚ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰደ ከኣ፡ ወልዶ ተማሃሮ ብፍላይ ሃገራዊ ሓርነታዊ ኣተሓሳስባታት ከምዘለዎን ኣብ ውሽጢ ኣእምሮኡ ኣንጻር ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ናይ ተቓውሞ መንፈስ ይምዕብል ምህላውን ድሕሪ ምርድኡ ኢዩ።

ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ መንጎኦምን ህዝብን ዓቢ ጋግ ማዕቢሉ ከምዘሎን ህዝቢ ካብኦም ከም ዝረሓቐን ከም ዝተረድኡ ዘረጋግጸልና ከኣ፡ ነቶም ብረት ክዓጥቑ ጠሊቦም ዝበሎም ብኸምቲ ዝደለይዎ ደረጃ ከዕጥቆም ዘይምክኣሉ ኢዩ።

ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ሰለስቲኡ ኣውራጃታት ንውሑድ ቁጽሪ እንተዘይኮይኑ ከምቲ ቃል ዝኣተውዎ ብሰፊሕ ኣየዕጠቑን። እዚ ከኣ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ምስ ምዕባለ ሰውራን ሃገራዊ ኣተሓሳስባታት ካብ ከተማ ናብ ገጠር ኣብ ዝሰጋገረሉ ዝነበረን እዋንን እቶም ብረት ዝዓጥቑ ተማእዛዝነቶም ንኢትዮጵያ ከይልውጡ ካብ ዝብል ስግኣት ዝተበገሰ ኢዩ ዝብል ግምት ኣሎና። ሰለዚ ከኣ ጸላኢ ናብዚ ውጽኢቱ ዘይተፈልጠ ሓደገኛ ስጉምቲ ካብ ምእታው እቲ ፕሮፖጋንዳዊ ዓውዓውታኡ ዝፈጠሮ ይኣኽለኒ ዝበለ ኢዮ ዝመሰል። ምናልባት'ውን እቲ ንተጋደልቲ ኣብ ምክትታልን ቀጻሊ ውግኣት ኣብ ምኽያድ ተራእዩ ዘይፈልጥ ንጥፈታት ዘካይድ ዝነበረ ሓይሊ ኮምንድስ ከረጋግጾ ዝኽኣል ዓወታት ምጽባይ መሪጹ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

[77] ሕሉፍ ምንጪ

# ምዕራፍ 7

# 1967፡ ዓመተ ቁልውላው

## 1. ፖሊሲ ጃምላዊ ህልቂትን ሰደትን

ምስ ምእታው ዓመተ 1967 ተ.ሓ.ኤ ክሳብ ሽዑ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ብወገን ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ዝዓበየ ብድሆ ገጢሙዋ። እዚ ብድሆ'ዚን መልሰ ተግባሩን ነጻብራቑን ድማ ዝዓበየ ቁልውላው ሰውራ ክበሃል ዝከኣል ዘገሃደ፡ ጸላኢ ሓሊሙዎ ዘይፈልጥ መኸሰባት ዘረጋገጸሉ ንሰውራ ኤርትራ ከኣ ንነዊሕ ዘሳቐዩ ፖለቲካዊ ክሳራታት ዘውረደሉ ኢዩ ነይሩ።

ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብቲ ዓመት'ቲ ካብቲ ዝብህጎ ዝነበረ ውሑድ እንተዘይኮይኑ ዓወታት ዘይረኸበሉ ሕሉፍ ተመኩሮኡ ተበጊሱ፡ ንሰውራ ኤርትራ ፍጹም ንምጥፋእ ዝዓለመ ሓፋሻዊ ውጥን ተግቢሩ።

### ኣብ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መዳይ

ኣብ መጀመርታ ናይቲ ዓመት'ቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ተ.ሓ.ኤ. "**ፖሊሲ ጅምላዊ ህልቂት**" ዝበሎ ስርዓት ኢትዮጵያ ድማ "**ፖሊሲ ምጽራይ**" ዝበሎ ክትግብር ጀሚሩ። ዕላማ ጸላኢ ንኤርትራ "**ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት**" ንምጽራይ እኳ እንተኾነ፡ እዚ ሰያመ'ዚ ግን ቅኑዕ ኣይነበረን። እቲ ኣብ ባይታ ዝተተግበረ'ውን ሓሶት ምዃኑ'ዩ ዘረጋግጽ።

እቲ ኣብ ባርካን ጋሽን ብቀዳምነት፡ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ሳሕል፡ ሰምሃርን ኣከለጉዛይን ኣብ ልዕሊ ዓዲታት ኣመንቲ ምስልምና ብፍላይ ዝተተግበረ ፖሊሲ ውጽኢቱ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

- ኣብ ኩለን ዓዲታት ነቶም ምስ ሰውራ ምትእስሳር ኣሎዎም ኢሎም ዝጥርጥርዎም ዓበይቲ ዓድን መንእሰያትን ምቕታል ።
- ንህዝቢ ምንጪ መነባብሮ ንምኽላእ እንስሳታት ምቕታል።
- ምፍርራሕን፡ ቅድሚ ምቅታል ንዝተኣሰረ ድማ ምስቓይን፡ ብወተሃደራዊ ሰልፈታት ንዓዲታት እናኣኸበብካ ፍተሽ ምክያድን፡ ንደቀንስትዮ እናሃረምካ ብሓይሊ ንብረተን ምስላብን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ራዕድን ሽበራን ምፍጣር።

እቲ ዝኸፍኣ ኣብ ምትግባር እዚ ፖሊሲ'ዚ ዝተራእየ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ምስ ግዜ ክርስዕ ዘይክእል ካብ ኣእምሮ ዘይሕከኽ ራዕዲ ዝፈጥር ዝተፈጸመ ኣገባብ ኣቕታትላ ኢዩ። ብሓቂ ከኣ፡ በዚ መዳይ'ዚ ተዓዊቶም ክባሃል ይከኣል። እቲ ኣብቲ ሕሱም እዋን ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባር ከኣ፡ ክሳብ ሎሚ ይዝንቶ ኣሎ። ካብቲ ዝተኸተልዎ ኣገባባት ሓደ ብዛዕባ ኣቓታትላ ዜጋታት ዝምልከት ክፋል ነዚ ዝስዕብ ክንጠቕስ ንኽእል።

- ጸሎተ ስግደት ንምብጻሕ ኣብ መሳጊድ ክእከቡ ከለው ምቅታል (ዓድ ኢብራሂም)

- ብጃምላ ብጥይት ቀቲልካ ነቶም ሙውታት እቲ ናይ ሩባ ደንደስ ኣብ ልዕሊኦም ምድፋን። (ዓይለት፡ ግምሆትን ኦምሓጀርን)
- ብከረሩ ምሕራድን ብሳንጃ ብረት ተጠቂምካ ምቅታልን (ዓድ እከድን-ሚታቴብ)
- ንኢድን እግሪን ብድሕሪት ኣሲርካ ኣብ ቅድሚ ደቂ ዓዲ ክሳብ ሂወቶም ትሓልፍ ንግዳያት ኣብ ጸሓይ ምጽጣሕ (መጎሎ)
- ኣብ ቅድሚ ስድራቤታት፡ ኣንስትን ህጻናትን ምቅታል (ብዙሕ ፍጻሜታት)

ኣብቲ እዋን'ቲ ዝዓበየ ጅምላዊ ህልቂት ኣብ ሓንቲ ዓዲ ዝተፈጸመሉ ኣብ ጋሽ ዓዲ ኢብራሂም ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ኢዩ። 48 ሰብኡት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ተቐቲሎም። በዚ ፍጻመ'ዚ ዝሰንበዱ ደቂ ዓዲ ኩሉ ንብረቶም ንድሕሪት ገዲፎም እግሮም ናብ ዝምርሓም በሪሮም። ከምኡውን ኣብ ሰመሃር ኣብ ዓይለትን ጎምሆትን ዝተባህለ ዓዲታት 25 ሰብኡት ተቐቲሎን።

ኣብዚ ስርሒት'ዚ ጦር ሰራዊትን ሓይልታት ኮማንድስን ብልዑል ስምዒት ተሰቲፎም። ኣብቲ እዋን'ቲ እዚ ሓይልታት'ዚ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝተፈላለየ ስቅያትን ከውርዱሎም ካብ ሰማይ ዝወረዱ ሰይጣውንቲ ኮይኖም ይርኣዩ ነይሮም። እቶም ዓበይቲ፡ ስም "ጦርሰራዊትን" "ኮማንድስ" ኣብ ቅድሚ ህጻናት ደቆም ንከየልዕሉ የጠንቅቑ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ብዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዒታትን ቅድሚ ምቅታል ብዘካይድዎ ዝተፈላለየ ዓይነታት ግፍዒ ዝሰምየም ፍስሃን ሰሞም ኣብ ኩሉ ዓዲታት ገኒኑ ብወረኦም ጥራይ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ዜጋታት ራዕድን ሽባራን ዝፈጥሩ ዝነበሩ ወተሃደራውያን መራሕቲ ተቐልቂሎም። ኣብ ባርካ ስም ኮሎኔል ከበደ ያዕቆብ ካብ ኩሎም መራሕቲ ዝገነነ ነይሩ።

በዚ ድማ ህዝቢ እንታይ የጋጥሞ ከይሓሰበ እግሩ ናብ ዝመርሖ ንሱዳን ገጹ ክሃድም ጀመረ። እተን ሓደጋ ዝወደቐን ዓዲታት ክሃድማ ከለዋ፡ እተን ገና ሽግር ዘይበጽሓን ዓዲታት ድማ ብወረ ጥራይ ስለ ዝሃድማ ናብ ምብራቓዊ ከተማታት ሱዳን ዘእቱ መገዲታት በቶም ዓይኖም ንብዓት ዝመልኣን በቲ ዝወረደም መዓትን ዝጽበዮም ዘይፍሉጥ መጻኢን ተሰፋ ዝቆረጹን ምድረ ሰማይ ዝጸልመቶምን ሰደተኛታት ኣዕለቕለቐ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ተ.ሓ.ኤ. ብዝዘርጋሕቶ ሓበሬታ መሰረት ክሳብ ሰነ 1967 ጠቅላላ ውጽኢት ናይቲ ስርሒት ድማ 169 ዓዲታት ነዲዱ፡ ኣስታት ሰላሳ ሽሕ ዜጋታት ንሱዳን ተሰዲዶም፡ 452 ዜጋታት ተቐቲሎም። ብዙሓት እንስሳታት ከኣ ጸኒተን።

እቲ ስደት ሓደ ካብ ዕላማታት ናይቲ ውጥን ምንባሩ ዘረድኣካ ከኣ፡ ሓይልታት ኢትዮጵያ ህዝቢ ብጃምላ ክሰደድ እናረኣይዎ ከለውን ናበይ ምኻኑ ይፈልጡ ክንሰምን ክዓግትዎ እናኽኣሉ ከለው ዘይምዕጋቶም ኢዩ።

እንተ ኣብ ከተማታት እቲ ስርሒት፡ ንዓበይቲ ናይተን ከተማታትን ምስ ሰውራ ምትእስሳር ኣለዎም፡ ኣብኣ ይነጥፉ ኢዮም ተባሂሎም ዝጥርጠሩን ኣብ ምቅታል ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ከኣ፡ ኣብተን "**ጃምላዊ ህልቂትን ስደትን**" ዝተፈጸመለን ዓዲታት ከባቢ ዘርከባ ከተማታት ብዙሕ ናይ ቅትለት ስርሒታት ተፈጺሙ።

እቲ ኣብ ከተማታት ዝተፈጸመ ናይ ቅትለት ስርሒታት ካብቲ ኣብ ገጠራት ዝተፈጸመ ዝፈልዩ ነገር እንተ ሃልዩ ከኣ፡ ብውልቂን ብምስጢራዊ ኣገባብን ይፍጸም ምንባሩ ኢዩ። እቶም ዝድለዩ ምስ ተታሕዙ ኣብ ዘይፍለጥ ቦታታት ተወሲዶም ይቅተሉ ነይሮም። በዚ ምኽንያት ከኣ መብዛሕትኦም ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ከተማታት

ዝተቐትሉ ክሳብ ሎሚ ሬስታቶም ኣይተረኸበን። ናይ ገለ ዝተቐትሉ ክፍለጥ ዝኸኣለ ከኣ ብኣጋጣሚ ኣብ እዋን'ቲ ፍጻመ ገለ ኣባላት ፖሊስ ኤርትራ ምስ ኮማንድስን ጦር ሰራዊትን እንተጸኒሖም ናብ ስድራቤት መዋቲ ንኽበጽሕ ነቲ ምስጢር ሰለዘመሓላልፍዎ ኢዩ።

ሓይልታት ኢትዮጵያ ነቶም ኣብ ከተማታት ዝነጥፉ ንመሓዝን ንምቅታልን ሓደ ሓደ ግዜ በቶም ካብ ሰውራ ዝሰለሙ ባእታታት ይጥቐሙ ነይሮም። ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ብናቱ ሓበሬታ ብዙሓት ንጹሃት ዜጋታት ብፍላይ ኣብ ኣቑርደትን ተሰነይን ዝጠፍኡ ከኣ ዑመር "እቡ ራእሴን" ነይሩ።

በቲ ንኣዋርሕ ኣብ ከተማታት ዝቐጸለ ስርሒታት ብዙሓት ካብ መራሕቲ ፖለቲካዊ ስርሓት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ናብ ከሰላ ተሰዲዶም። ኣብ ቤት ጽሕፈት ሰውራዊ መሪሕነት ተኣኪቦም ከኣ ብዛዕባ'ቲ  ዘጋጠመን ኣስማት ስውኣትን ንጨንፈራት ውድብ ኣብ ከተማታት ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታትን ዝሕብር ጸብጻባት ናብ መሪሕነት ክጽሕፉ ጀሚሮም።

እቲ ካብ መጀመርታ ናይቲ ዓመት'ቲ ክሳብ መወዳእታኡ ኣብ ከተማታት ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምቅታል ስርሒትን ከም ውጽኢቱ ዝስዓበ ሰደትን ኣብ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ውሽጠውያን ስርዒታት ናይተን ከተማታት ምሉእ ልምሰት ስለዘኽተለ ደግም ሂወት ንኽትዘርኣሉ ዓመታት ወሲዱ ኢዩ። እቲ ኣብ ውሽጣውያን ስርዒታት ንብዙሓት ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ንምጽንባርን ወርሓዊ ክፍሊታት ንምኽፋልን ኣባልነቶም ኣብ ውድብ ዝእዝዞ ግቡእ ንምፍጻምን ዝደርኾም ዝነበረ ሃገራዊ ስምዒት እውን ለሚሱ።

ኣብ ከተማታት ኣብ ስርዒታት ተ.ሓ.ኤ ዘጋጠመ ብሰንኪ መራሕተን ብሞትን ሰደትን ምፍላዮም ድስካለ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ውድብ ዘስዓበ ዓቢ ምንቁልቋል ኢዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ከተማታት ንዝተወሰነ ግዜ ካብ ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝተነጸለ ደሴታት ኮይኑ። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ውድብ ኣብ ነንሓድሕዶም ከይራኸቡ ይጥንቀንቑ ሰለዝነበሩ ከኣ ኣብተን ከተማታት ንጥፈታት ከምዘይጸነሓ መሰለ።

* * *

እቲ ዘተሓሳስብ ድማ፡ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ስርሒታት ጃምላዊ ህልቂትን ሰደትን ክካየድ ከሎ ሓደጋ ዝወረዶ ህዝቢ ኣንፈቱ ናብ ሱዳን ገጹ ምስቐንዐ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕነት ውድብ ነቲ ዝተጨነቐ ህዝቢ ዝኾነ ይኹን መምርሒ ወይ ምዕዶ ክህቦ ዘይምክኣሉ ኢዩ።  እቲ ምርጫ ስደት ድዩ ነይሩ? ምስ ኩሉ'ቲ ዘጋጥም ዝነበረ መስዋእቲ ኣብ ዘሎኻዩ ምጽናዕ ድዩ ነይሩ ፖሊሲ ናይቲ ውድብ? ብኸመይ ከ ትጸንዕ? ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ብወገን መሪሕነት ውድብ ግምት ይወሃቦ ኣይነበረን። ህዝቢ ዘዝመሰሎ ምርጫ ከወስድ ተገዲፉ። ምርጫ ስደት ናብ ሱዳን ድማ ከም ዝሓሸ ናይ ኩሉ ምርጫ ሰለዝተወሰደ፡ ኩሉ ናብኡ ገጹ ኣድሂቡ። ወተሃደራውያን ኣሃዱታት ነቶም ዝሃደሙ፡ ንሱዳን ኽስግሩ ዝገብርኦ ዝነበራ ሓገዛት ድማ ከም ምትብባዕ ብወገን ውድብ ስለዝተወሰደ ብዙሓት ሓደጋ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘይወረደን ዓዲታት እውን ናብቶም ሰደተኛታት ይጽንበራ ነይረን።

ኣብቲ መድረኽ'ቲ ድኽመት መሪሕነት ኣብ ምምራሕ'ቲ ኩነታት ሩኡይ ነይሩ። ኣብ ክንዲ ነቲ ኩነታት ዝመርሕን ዝውግንን እቲ ፍጻመታት ዘስዐቦ ዝነበረ ጨንፈራዊ ሽግራቱ ኣብ ምፍታሕ ኣተኮረ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘይበዝሕ ግዜ ከባቢ ከተማ ከሰላ፡ ወደልሒሊውን ፖርትሱዳንን ኣብቲ ቀዳማይ መዓልቶም ምረት ስደት ዘስተማቕሩ ብብዝሒ ስደተኛታት ኣዕለቕለቐ። ብህላውነኦም ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ውድብ ዘይተጸበዮ ሓድሽ ሽግር ፈጠሩ።

## ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ

ካልኣይ ገጽ ናይቲ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ዘካየደቶ ናይ "ምጽራይ" ውጥን፡ ድማ ህላወ ሰውራ ካብ ሱዳን "ንምጽራይ" ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ምኽያድ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ድማ፡ ብንጉስ ሃይለስላሰ ብድሕሪኡ ከኣ፡ ብሰበ ስልጣን ኣብ ኤርትራ፡ ቤገምድርን ስሜንን ኣብ ኢትዮጵያ ንጡፍ ምንቅስቓስ ተካይዱ። ዕላማ ናይቲ ስርዓት ኢትዮጵያ በዚ መዳይ'ዚ ዝተግበሮ ፖሊሲ ከኣ፡ ህለወ ሰውራ ካብ ሱዳን ምጥፋእን ዶብ ሱዳን ከምዘይትጥቀመሉ ንምግባርን ጉዳይ ሰደተኛታት ፖለቲካዊ መልክዕ ከይወስድን እቶም ዝተሰዱ ከኣ ኩነታት መነባብሮ ኣገዲዱዎም ከም ዝተሰዱ ጌርካ ንምቕራቡን ኢዩ ነይሩ።

ነቲ ዲፕሎማስያዊ ምንቅስቓስ፡ ስርሒት ጅምላዊ ህልቂትን ሰደትን ኣብ ውሽጢን ዋሕዚ ሰደተኛታት ናብ ሱዳን ናብ ዝላዓለ ጥርዙ ምስ በጽሓ ንጉስ ሃይለስላሰ'ዩ ብኣካል ናብ ሱዳን ብምኻድ ኢዩ ዝፈለሞ።

ኣብቲ ካብ 23-26/2/1967 ዝተኻየደ ዑደት ሃጸይ ሃይለስላሰ ምስ ኣቦ መንበር ባይቶ ሉኣላውነት እስማዒል ኣልኣዝሃሪን ካልኦት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ሱዳንን ተራኺቡ። እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ ናይ ሓባር መግለጺ[78] ከኣ ወጺኡ።

1. **"ክልቲኦም ወገናት ብዛዕባ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ተምመያይጦም። ንዶብ ክልቲኣን ሃገራት ዝምልከት ኣህጉራዊ ስምምዓትን ፕሮቶኮላትን ከም ዘኽብሩ ድማ ኣረጋጊጾም።"**
2. **"ከምኡውን ንሰደተኛ ናብ ወላዲት ሃገሩ ንኽምለስ መሰል ዝህብ ወይ ከኣ ካብ ዶብ ንኽርሕቕ ዝእዝዝ ስምምዕ ንኽገብሩ ተሰማሚዖም።"**[79]

ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብቲ ንኣርባዕተ መዓልታት ኣብ ካርቱም ዝጸንሓሉ ግዜ፡ እቲ ብጋዜጣታት ሱዳን ዓቢ ኣቓልቦ ተገይርሉ ዝነበረ ጉዳይ ሰደተኛታት ንኽዕፍን ኣተኩሩ ይሰርሕ ነይሩ። እዚ ብመገዲ ሬድዮን ዕለታውያን ጋዜጣታትን ንዑደቱ ብሰፊሕ ከም ዝሽፈን ብምግባር ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኩለን ጋዜጣታት ሱዳን ናብቲ ሰደተኛታት ዝነበርዎ ቦታታት ልኡኻተን ይሰደን ነቶም ሰደተኛታት ዘጋጠሞም ጃምላዊ ህልቂትን ምንዳድ ኣባይቶምን ጥሪቶምን ንህዝቢ ሱዳን ይገልጻን ነይረን። ህዝቢ ሱዳን "ንኣሕዋቶም ኤርትራውያን" ንኽሕግዙ ብዝደፍእ መልክዕ ድማ ሰደተኛታት ንዝወረዶም ሽግር ብቃላቶም ከም ዝዘንትውዎ ይገብራ ነይረን።

ብመሰረት'ቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ዘካየዶ ዑደትን ዝገበሮ ስምምዓትን ከኣ፡ ብምክትል ኣመሓዳሪ ኤርትራ ደጃዝማች ተስፋዮውሃንስ በርሀ ዝምራሕ ዓቢ ልኡኽ ብ11/3/1967 ናብ ከተማ ከሰላ ዑደት ብምኽያድ ምስ ሓለፍቲ ናይቲ ኣውራጃ ተኸታታሊ ኣኸባታት ኣካየደ።ኣብ መጨረሽታ ከኣ ጉዳይ ህላወ ሰውራ ኣብ ሱዳንን

---

[78] ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሱዳን ልፍንታዊ መንግስቲ ኢዩ ነይሩ። ኣብ መንግ'ቲ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸበ ሰልፊ ኡማ ቀዳማይ ሚኒስተር ከኣ ኣሰይድ ሙሓመድ ኣሕመድ ማሕጁብ፡ ሰልፊ ሃገራዊ ሕብረት ኣቦ መንበሩ እስማዒል ኣልኣዝሃሪ ኣቦ መንበር ባይቶ ሉኡላውነት ዝቆመ መንግስቲ'ዩ ነይሩ።

[79] ጋዜጣ ሕብረት - 28/2/1967

ሰደተኛታትን[80] ብዝምልከት ስምምዕ ዝሓዘ ናይ ሓባር መግለጺ ኣውጺኦም። ካብ ትሕዝቶ ናይቲ ስምምዕ ከኣ እዚ ዝስዕብ ንጠቅስ።

*"ከም ሰደተኛታት ኮይኖም ኣብ ዶብ ናይታ ሓንቲ ሃገር ዝነብሩ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት* 1. *ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ወይ ንጸጥታ ናይታ ካልእ ሃገር ዝሃሲ ንጥፈታት ከይካይዱ ይኽልከሉ።* 2. *ብመሰረት ኣብ ቁጽሪ ሓደ ተጣቒሱ ዘሎ ከኣ፡ እንተ ድኣ እቶም ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ዝተዋህቦም ትእዛዝ ምስ ዘየኽብሩ ኣብቲ ዘለውዋ ሃገር ናብ ፍርዲ ይቐርቡ።* 3. *ብመሰረት ኣብ ቁጽሪ ክልተ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ንዝተዋህቦም ትእዛዝ ምስ ዘየኽብሩ ድማ ብፖሊስ ተታሒዞም ናብ ሰበስልጣን ሃገሮም ይርከቡ።* 4. *ዝኾነ ሰብ ገበን ፈጺሙ ናብ ዶብ ናይታ ሓንቲ ሃገር ከም ሰደተኛ ኮይኑ ምስ ዝኣቱ ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ምፍጻሙ ምስ ተረጋግጸ ብቐጥታ ናብ ቤት ፍርዲ ናይታ ብዘይፍቃድ ኣትዮዋ ዘሎ ሃገር ይቐርብ። መቕጻዕቲ ምስ ተበየነሉ ከኣ ናብታ ካብኣ ዝተበገሰላ ሃገር ይርከብ።"*

ብዘይካ እዚ ከኣ ኣብቲ ርክብ *"ኣብ ዶባት ንጸጥታን ቍጠባን ናይታ ሓንቲ ሃገር ዝጎድእ ዘይሕጋዊ ስርሓት ንዘካይድ ዜጋ ናይ ሓንቲኣን ንምቁጽጻርን ንምህዳንን፡ ከምኡ ከኣ ፍቓድ ዘይብሉ ናይ ኮንትሮባንዳ ንግዲ ንምኽልካልን ንክልቲኣን ሃገራት እትውክል ናይ ሓባር ናይ ዶብ ኮሚተ ቆይማ።"* ከምኡ'ውን እቲ ኣኼባ *"ኣብ ርእሲ'ታ ብመራሕቲ ፖሊስ ዝቆመት ላዕለወይቲ ኮሚተ ኣብ መንጎ ከሰላን ተሰነይን ፖርትሱዳንን ቃሩራን"* ናይ ዶብ ጨንፈራዊ ኮሚተታት ኣቑሙ።[81]

ብ27/3/1967 እውን ላዕለዋይ ልኡኽ ሱዳን *"ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዝተኸተሙ ስምምዓት ኣኼባ ንምክያድን ብዛዕባ ምድልዳል ጸጥታን ርግኣትን ዶባቶም ሓሳባት ንምልውዋጥን"* ናብ ኣስመራ ዑደት ኣካይዱ። ልኡኽ ሱዳን ብኣሰይድ ኣቲጃኒ ስዓድ ወኪል ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ከምራሕ ከሎ፡ ንወገን ኢትዮጵያ እቲ ልኡኽ ኣመሓደሪ ኤርትራ ኣስራተ ካሳ መሪሑዎ።[82]

ድሕሪ'ቲ ርክብ ከኣ፡ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘጣቓለለ ናይ ሓባር መግለጺ ወጺኡ። *"ኣብዚ ናይ ምርድዳእን ሕውነትን መንፈስ ዝሰፈኖ ኣኼባ'ዚ ክልቲኦም ወገናት ሽግር ዶባት፡ ብወገን ኢትዮጵያ ኣብ ክፍል ሃገር ኤርትራ፡ ቤገመድርን ስሜንን፡ ብወገን ሱዳን ከኣ፡ ኣብ ኣውራጃ ከሰላ፡ ተመያይጦም። ወከልቲ ክልቲኣን ሃገራት ከኣ፡ ኣብ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ንዝጋጥም ንጥፈታት ናይ ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ደው ንምባል ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባታት ብምሉእ ምርድዳእ ተሰማሚዖም። ከምኡውን ኣብ ዶባቶም ንምምሕዳራዊ ጉዳያት ዘዕንቕፍ ንጥፈታት ደው ከብልዎ*

---

[80] ልኡኽ ኢትዮጵያ ኣብ ርእሲ ምክትል ኣስራተ ካሳ ተስፋዮውሃንስ በርሀ እዞም ዝስዕቡ ይቆውም፡
1. ቀናዝማች ሰለሙን ተኽለ ዋና ዳይረክተር ናይ ወጻኢ ፕሮቶኮል
2. ሊፍተናንት ኮሎኔል ዓምደሚካኤል ብላትቾ ሓላፊ ጸጥታን ኢሚግረሽንን ኣብ ኤርትራ
3. ሊፍተናንት ኮሎኔል ብርሃነ ተስማ ምክትል ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ
4. ኣቶ ሙሓመድ እኩድ ሃሮዳ ወኪል ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት
5. ኣቶ መኮንን ገርስ ተሓጋጋዚ ኣማሓዳሪ ጎምሩክ ኤርትራ
6. ሜጀር ዓብደልቃድር መሓመድ ዓሊ ሓላፊ ፖሊስ ከተማ ተሰነይ
7. ሌተናንት ኮሎኔል ተፈራ ኣስፍው ካብ እዚ 12 ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ
8. ኣቶ እሸቱ ታፈሰ ጻሓፊ ናይቲ ልኡኽ (ጋዜጣ ሕብረት 11/3/1967 ተወከሰ)

[81] ጋዜጣ ሕብረት 16-3-1967

[82] ልኡኽ ኢትዮጵያ ኣብ ርእሲ ኣመሓደሪ ክፍለ ሃገር ኤርትራ እዞም ዝስዕቡ ነይሮም።
1. ኮሎኔል ታምራት የገዙ ኣመሓዳሪ ቤገምድር
2. ብርጋድር ጀነራል ዘርእማርያም ኣዛዚ ኣመሓዳሪ ፖሊስ ኤርትራ
3. ኮሎኔል ስዩም ገሰሰ መራሒ ፖሊስ ቤገመድር
4. ሓላፍቲ ገምሩክ

***ተስማሚያም። ብተወሳኺ ኣብ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ንስርዓትን ሰላም ህዝቦም ዘስግእ ኣኣዕናዊ ንጥፈታት ወይ ምንቅስቓሳት ንኸይቅልቃል ብሓባር ክሰርሑ ተረዳዲኦም።"***[83]

*ንጉስ ሃይለስላሰ ንመንግስቲ ሱዳንን ጸለውቲ ሰልፊታቱን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ንምልዕዓልን ክስጉዎን ዶብ ክዓጽውሉን ከምኡ ድማ ንጉዳይ ሰደተኛታት ከም ተራ ናይ ስደት ጉዳይ ወሲዶም ናብ ሃገሮም ክመልስዎም ወይ ከኣ ካብ ከባቢታት ዶብ ከርሕቅዎም ኣብ ዝገበሮ ፈተነታት ዝመረጸ ግዜ ጉጉይ ነይሩ። ጉዳይ ኤርትራ ከም ፖለቲካዊ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ሱዳን ሱር ሰዲዱ ነይሩ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ከኣ ዓበይቲ ሰልፊታት ዓቢ ተራ ተጻዊተን ኢየን። መራሕተን ብቀጻሊ ብዛዕባ ፍትሓውነት ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰረታቶም የስተምህሩን ከም ጉዳይ ግዙእ ሓው ህዝቢ ኣብ ጎኑ ደው ክንብልን ክንሕግዞን ሕውነታውን ናይ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ምሕጋዝን ግቡእ የገድደና ኢዩ እናበሉ የጎሳጉሱን ነይሮም። እቲ ኣብ ናይ 1965 ጉዳይ ብረት ዝተራእየ መርገጺ ከኣ ነቲ ጉዳይ ኤርትራ ረኺቡዎ ዝነበረ ህዝባዊ ደገፍ ዘብርህ ግብራዊ መግለጺ ኢዩ።*

*ኣብቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ጽዑቅ ርክባትን ምፍርራም ስምምዓትን ዝርኣየሉ ዝነበረ እዋን፡ ሓድሽ ማዕበል ሰደተኛታት እናመጸ የበርዕኖን ንጉዳይ ሰውራ ኣብቲ ልዕሊ ሰላሳ በጺሑ ዝነበረ ጋዜጣታት ሱዳን እንደገና ላዕለዋይ ቦታ ብምሃብ ንኣሰር ናይቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝፈረም ዝነበረ ስምምዓት ይድምስሶ ነይሩ።*

*ልክዕ ኢዩ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ኣብቲ እዋን'ቲ በቲ ዝነበሮ ጥቡቅ ዝምድና ምስቲ መንግስቲ ተቀጻጺሩ ዝነበረ መሪሕነት ሰልፊ ኡማ ዓቢ እምነት ነይርዎ። ከምኡውን መሪሕነት ሰልፊ ኡማ ከምቲ ኣብ ጉዳይ ብረት ዝበርሀ ኣብ 1965 መንግስቲ ምስ ኣቀመ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝነበሩ ፍርቂ ናይቲ ብረት ሃጊሩዎ ሰለዝነበረ ምስ ጉዳይ ኤርትራ ከም ዘይደናገጽ ይፈልጥ ነይሩ።*

*እንተኾነ ግን ሕጂ ኩነታት ካብቲ ናይ 1965 ዝተፈልየ ኢዩ ነይሩ። ጉዳይ ሰደተኛታት ንኩሉ ህዝቢ ሱዳን ኣንኮላይ ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ከም ካርቱም፡ መደኒ፡ ገዳርፍ ኾሰቲ፡ ከሰላን ፖርትሱዳንን ዝነበረ ሰፊሕ መሰረታት ሰልፊ ኡማ ኣለዓዒሉ ኢዩ። ምስ ኩሎም ካልኦት ሓይልታት እንኮላይ ምስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ ሓደ መስርዕ ደው ኢሉ። ኣብተን ንሰደተኛታት ንምሕጋዝ ዝቆማ ኮሚተታት ይሳተፉን ንጉዳይ ሰደተኛታት ከም ከሕገዝ ዘለዎ ናይ ውጹዕ ህዝቢ ጉዳይ ንህዝቢ ሱዳን የብርሁን ነይሮም። ብስም ሰልፊ ኡማ እትሕተም ዝነበረት ጋዜጣ "ኡማ" ንባዕላ ንጉዳይ ኤርትራ ብብሩህ ደጊፋ ኢያ። ንሳ ኣብቲ ብ2/3/1967 ዘውጽኣቶ ሕታማ፡* ***"ሰብኣዊ ሕልና በቲ ኣብ ኤርትራ ዝወረደ መዓት ተነቓኒቑ ኢዩ። ነዚ ሕልና ዘይቅበሎ ተግባር ፖለቲካዊ ሽፋኑ ብዘየገድስ ብጽኑዕ ንኹንኖ።"*** *ምስ በለት ቀጺላ* ***"ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን መትከል ጃምላዊ ህልቂት ረብሓ ናይ ዝኾነ ይኹን መንግስቲ ዘገልግል ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ተግባር ነቲ ሓዊ መሊሱ ዘባርዕ ነቶም ብመትከል ዝኣምኑ ድማ መሊሱ ሓይሊ ዝውስኾም ተግባር ኢዩ"*** *ኢላ ወሲኻ።*

*መሪሕነት ሰልፊ ኡማ ምስ ኩሉ'ቲ ሓያል ዕቃበታቱ ተጻብኣኡ ንጉዳይ ኤርትራ ኣየግህዶን ነይሩ። ካብ ክልተ ምኽንያታት ብምብጋስ ጎራሕ ማእከላይ ኣካያይዳ ኢዩ ነይሩዎ። ቀዳማይ፡ ንዕቃበታቱ ናብ ቅሉዕ ጽልኢ እንተ ድኣ ኣማዕቢሉዎ፡ እቲ ሓገዙ ዘድልዩ ሰፊሕ ህዝቢ ሱዳን ከይጻብኡ ሰለ ዝሰግኣ፡ ካልኣይ ድማ ኣብቲ ንሃብታም ናይ ሕርሻ ቦታ "ፈሽጋ" ደቡብ ገዳርፍ ሓቢጡ ዘሎን ጋና*

---

[83] *ጋዜጣ ሕብረት* 28-3-1967

ንምፍታሑ ሓንጊዱ ዝርከብን መንግስቲ ኢትዮጵያ ምሉእ ምትእምማን ስለዘይነበሮ ኢዩ።

እዚ ኩሉ ዝተጠቐሰ ረቛሒታት ከኣ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ሱዳን ናይ ደገፍን ሓገዝን ስምዒት ከም ዝዕብልል ገይርዎ። እቲ ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝመጽእ ዝነበረ ስምምዓት ትሕዝቶኡ እንተድኣ ተተግቢሩ ግድን ንህላወ ሰውራ ኣብ ሱዳን ዝሓንቕ እኳ እንተነበረ፡ ናይ ትግበረ ባይታ ግን ኣይነበሮን። ህላወ ሰውራ ኣብ ሱዳን ድማ ብህዝቢ ዝተደገፈ ክሰገር ዘይካኣል ኮነ። ጉዳይ ሰደተኛታት ከኣ፡ ምስ ፖለቲካዊ ሰረቱ ታኣሳሲሩ ቀሪቡ። ዕቓበታት ዝነበሮም ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን፡ ብቀዳምነት ከኣ ሰልፊ ኡማ፡ ምስ ጉዳይ ኤርትራ ብመሰረት ኣረኣእያኦም ንምውሳእ ብዘይካ ዝያዳ ምቹእ ግዜ ምጽባይ ካልእ ዕድል ኣይነበሮምን።

## 2. መሪሕነት ሰውራ እንታይ ስጉምትታት ወሲዱ?

ጸላኢ ኣብ መጀመርታ 1967 ናይ **"ጆምላዊ ህልቂትን ሰደትን"** ፖሊሲታት ምትግባር ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ዝነበረ ወታሃደራዊ ኩነታት ክፍልታት ንምፍላጥ ኣብቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1966 ኣብ ከሰላ ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ምምላስ ኣገዳሲ ኢዩ። ካብቲ ብጸላኢ ዝተኻየደ ዘመተ ቅድሚ ክልተ ወርሕን ፈረቓን ዝተቓንዐ ጉባኤ'ቲ ከኣ ንኩነታት ወተሃደራዊ ክፍልታት ብዝምልከት ሰለስተ መሰረታውያን ውጽኢታት ክንጸሙቕ ንኽእል።

**ቀዳማይ፡-** ዝምድናታት መራሕቲ ክፍልታት ብፍላይ ጸላኢ ኣብ ምምካት ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ብዝምልከት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ ነይሩ። (ጥርዓን ምክትላት መራሕቲ ሳልሰይትን ራብዓይትን ክፍልታት)

**ካልኣይ፡-** ተራ ናይ ሰውራዊ መሪሕነት ምስራዝ። (ኣብ ውሽጢ ጨንፈራት ከይውድብ ተኸልኪሉ፡ ጉዳይ ቤት ፍርዲ ከየመሓድርን ገንዘብ ከምዘይእክብን ተገይሩ)።

**ሳልሳይ፡-** ዝኾነ ጸላኢ ክገብሮ ዝኽእል ወተሃደራዊ ውጥን ብሓባር ምምካት ጉባኤ ኣብ ግምት ኣይእተወን።

ዘመተ ጅምላዊ ህልቂትን ሰደትን ብዘይ ቅድመ ምልክታት ኣይመጸን። ጸላኢ ኣብ መጨረሽታ 1966 ኣብ ከተማታት ኤርትራ ሰፊሕ ናይ ምቅታልን ምእሳርን ዘመተ ኣካየዱ ኢዩ። ኣብቲ ወራር ክካየደሉ ዝመደቦ ከባቢታት ከኣ ሰራዊቱ ኣደልዲሉ። እንተኾነ ግን እቲ ኩሉ ብጸላኢ ዝውሰድ ዝነበረ ስጉምቲታት ንዘጋጥም ምዕባለታት ብሓባር ንምምካት ብወገን መራሕቲ ክፍልታት ግምት ኣይተዋህቦን።

ጸላኢ፡ ብወገን ሰውራ ኣድማዒ ስራሕ ንምክያድ ምድላው ኣብ ዘይነበሮ ሃዋህው ኣብ ባርካ፡ ጋሽ፡ ሰንሒት ቀጺሉ ከኣ ኣብ ኣኮለጉዛይን ሰምሃርን ሰፊሕ ወራር ምስ ኣካየደ፡ መራሕቲ ክፍልታት እቲ ዘይሓሰብሉ ፍጻመ ሃንደበት ኢዩ ኮይንዎም። ካብቲ ዝወረዶም ሃንደበትነት ንላዕሊ ዘገርም ድማ፡ እተን ከም ቀዳማይቲ፡ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ዝኣመሰላ ኣብ ነንሓድሕደን ዝተቐራረባ ክፍልታት፡ ነቲ ዘጋጠመን ሓደጋ ንምምካት ዓቕሚታተን ከወሃህዳን ብሓባር ክሰርሓን ኣይክኣላን።

ስለዚ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ከኣ በቲ ንዓኣ ጥራይ ቅኑዕ ዝመሰላ መገዲ ከደት። ንኩለን ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣብቲ ኩነታት ዘራኸበን ጉዳይ እንተ ነይሩ ከኣ፡ ምስቲ ናይ ወራር ውጥን ዝትግብር ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ኵናት ዘይምእታው ዝብል ነይሩ።

ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ 1967 ዓ.ም ብስም ተ.ሓ.ኤ. እትወጽእ ጋዜጣ ሰውራ ዘሰፈረቶ ውጉኣት እንተረኣና ኣብ ኣርባዕቲኣን ክፍልታት ካብ 17 ዝሓልፍ ኣይነበረን። ካብኡ እቲ ሸዱሽተ እውን ኣብ ከተማታት ዝተፈጸመ ናይ ፈዳይን ስርሒታት ኢዩ ነይሩ። እዚ ስርሒታት'ዚ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ ስርሒታት ክርኣ ከሎ ዝተመጣጠነ ኢዩ። ኣብ 1966 ልክዕ ኣብዚ እዋን'ዚ 18 ስርሒታት ተፈጺሙ። ከምኡውን ኣብ 1964 13 ስርሒታት ተካይዱ። እዚ ቁጽሪ'ዚ ዘረጋግጾ ነገር እንተሃልዩ ከኣ፡ ሓይልታት ጸላኢ ውጥናቱ ንኸይትግብር ንምዕንቃፉ ወይ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ዓበይቲ ክሳራታት ንምውራድ ብሓባር ይኹን ወይ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ንበይና ብንጡር ዝተግበረቶ ወተሃደራዊ ውጥን ከምዘይነበረ ኢዩ።

ደሓር ንመራሕቲ ክፍልታት ብዙሕ ነቐፌታታት ምስ ወረዶም ግን ነቲ ፍሽለት ንምምኽናይ፡ ኣብ ሓናት ዘይምእታው ዝተመርጸሉ ምኽንያት ጸላኢ ንሰላማዊ ህዝቢ ከየጽንት ሰለዝሰግኣና ኢዩ … ከምኡውን መብዛሕትኣን ናይተን ክፍልታት ኣሃዱታት ካብ ወጻኢ ንዝተላእኸ ኣጽዋር ንምርካብ ናብ ሳሕል ከይደን ስለዝነበራ ኢዩ ተባሂሉ።

መራሕቲ ክፍልታት ነቲ ህዝቢ ሂወቱን ገንዘቡን ንምድሓን መሪሖም ዝነበረ ጃምላዊ ስደት ከመይ ይገጥምዎ እውን ይፈልጡ ኣይነበሩን። ሰለዚ ከኣ ምስቲ ተርእዩ ዳርጋ ከም ኣተባባዕቲ ኮይኖም ተዋሲኦም። ነቲ ዝሃድም ዝነበረ ህዝቢ ኣብቲ ኣድካሚ ጉዕዝኡ ንምሕጋዙ ድማ ንፖሊሲ ውድብ ብምርዳእ ዘይኮነስ ብናይ ገዛእ ርእሶም ሰብኣዊ ሕልና ተደሪኾም ምሉኣት ኣሃዱታት ከምዝዋሰኣሉ ገይሮም ኢዮም።

ብወገን መራሕቲ ክፍልታት ነቲ ዘጋጠመ ብድሆ ንምምካት ዝተራእየ ድኽመት ኣብቲ እዋን'ቲ ዋሕዲ ተጋደልቲ ወይ ትሑት ዕጥቂ ሰለዝነበረ ዘይኮነስ፡ ብቀንዱ ናይ ምምካት እስትራተጂን ኣብ ወተሃደራዊ ሰራሕ ምውህሃድን ሰለዘይነበረ ኢዩ። ቁጽሪ ተጋደልቲ ኣብ ኩለን ክፍልታት ካብ 2500 ዕጡቓት ተጋደልቲ ዝውሕድ ኣይነበረን። ነዚ ቁጽሪ'ዚ ክትግምቶ እትኽእል ከኣ ኣብ ክፍላ ናይቲ ዓመት'ቲ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ብመልክዕ ሓይልታት ንምቛሙ ዳግመ ስርርዕ ምስ ተገብረ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሰለስተ ሓይሊ ቆይመን። ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ከኣ 150 ተጋደልቲ ነይሮማ። ብዘይካ'ተን ሓይልታት ከኣ ኣሃዱታት ፈዳይንን ናይ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ክፍልታትን ነይረን። ከምኡ'ውን ኣብታ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት እዚ ዝቆመት ሓሙሻይቲ ክፍሊ ሸዱሽተ ጋንታታት ነይረን።

እቲ ጸኒሑ ክሳብ ብእውጅ መንገዲ ናብ ምስራዝ ወተሃደራዊ ክፍልታት ንምጥላብ ዝማዕበለ ነቐፌታ ተመኩሮ ወተሃደራዊ ክፍልታት፡ ኣብቲ ወተሃደራዊ ክንፊ ውድብ ኣብ ቅድሚ'ቲ ንህዝቢ ንምጽናት ዝቐንዐ ናይ ጸላኢ ወራር ርኡይ ድኽመት ዘርኣየሉ እዋን'ቲ ኢዩ ጀሚሩ። ሽው እቲ ወራር ክጅምር ከሎ ብሰፊሑ ተዛሪቡሉን ተዘርጊሑን ዝነበረ ኣመሓደሪ ኣሰራተ ካሳ **"ዓሳ ንምቅታል ማይ ኣንጽፍ"** ክብል ከም ዝገለጾ ይፍለጥ።

ኣሃዱታት ሰውራ ኣንጻር እቲ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ ሓፈሻዊ መጥቃዕቲ ብምክያድ ንክስዕርዎ ኢዮም ዝብል ግምት ብዝኾነ ይኹን ወገን ኣይነበረን። እንተኾነ ግን እዘን ኣሃዱታት እዚኣተን ምስቲ ጸላኢ ዝፈጠሮ ኩነት ዝመጣጠን ስርሒታት ካብ ምክያድ ከስቅጣ እየን ዝብል ትጽቢት እውን ኣይነበረን። ዋላ ተጋደልቲ ከይተረፉ መራሕቶም ብሰንኪ ኣብቲ ጉዳይ ዘርኣዩዎ ዘይሓላፍነታዊ ስምዒትን ልዑል ዘይምግዳስን ብዙሕ ምዕዝምዛም ኣስሚዮም ኢዮም።

ፍጻሜታት ናይቲ እዋን'ቲ ነቲ ናይ ኣወዳድባ ሕጽረትን ናይ መሪሕነት ፍጹም ዘይምህላውን ብንጡር ኣግሂዱ ከብቅዕ፡ ላዕለዎይ ባይቶ ግን ነቲ ጉዳይ ከም ሓደ

ትርጉም ዘይብሉ ነገር ብምርኣይ፡ ንውጽኢታቱ ዝኾነ ጨንፈራዊ ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ምእላይ ኢዩ ኣተኩሩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ፡ ነቲ ጉዳይ ብፖለቲካዊ ሸነኽ ምውዕዋዕን ምምዝማዝን ንሰደተኛታት ሓገዝ ንምርካብን ናይ መናባብሮ ጸገማቶም ኣብ ምፍታሕን ቀንዲ ኣቓልቦኡ ኣቕንዩ።

ሽዑ፡ ኣብ መሪሕነታት ዝነበረ እምነት ጉዲሉ ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ተስፋ ምቑራጽ በጺሑ ክብሃል ይካኣል። ይኩን እንበር ብወገን መሰረታት ውድብን ካድራቱን ብዛዕባ መተካእታታት ምሕሳብ ኣይተቐልቀለን። ኩሎም ወገናት መሪሕነት ካብ ድቃሱ ተበራቢሩ ንሰውራ ናብ ናይ ድሕነት መገዲ ከብጽሕ ዝኽእል ሓደ ነገር ክገብር ብተስፋ ክጽበዩ መሪጾም። ኩሎም ናይ ሓድነት መንፈስን ኣብ መስመር ቃልሲ ምጽናዕን ኣብ ልዕሊ ውድቓትን ተስፋ ምቁራጽን ሰለዝመረጹ ሰውራ ኤርትራ ነቲ ሽግር ተጻዊሩ ናብ መጻኢ ከማዕዱ ክኢሉ።

## 3. መልሰ ተግባር ቀዳመይቲ ክፍሊ

ኣብ ወቅቲ ክረምቲ ናይቲ ዓመት'ቲ (ሓምለ) መሪሕነት ቀዳማይቲ ክፍሊ ከም መልሰ ተግባር ናይቲ ጸላኢ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዘካየዶ ጅምላዊ ህልቂትን ሰደትን ኮይኑ ዘተራኣየ ኣንጻር ሰላማውያን ዜጋታት ስጉምትታት ወሲዱ። ቀዳማይ ስርሒት ኣብ ገለ ዓዲታት "ኩናማ" ዝቐንዐ ነይሩ። እተን ሽዑ ግዳይ ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝኾና ዓዲታት ካብ ከተማ ባረንቱ ብወገን ምዕራብ ከባቢ "ኣይማሳ" ዝርከባን ብወገን ምብራቓ እትርከብ ዓባይ ዓዲ "ፎደን" እየን። ነቲ ስርሒት ንምትግባር ፍሉያት ኣሃዱታት ተመዚዘን። ካብተን ዓዲታት ዓሰርተታት ሰብኡት ብምቕታል ድማ ንዓዲ "ፎደን" ንብረታ ብምቕጻልን ብኣማኢት ዝቑጸር ጥሪት ሰላማውያን ዜጋታት ዘሚቶም ኣብ ሱዳን ዕዳጋታት ከሰላን ከባቢኣን ሸጥወን። ካልኣይ ስርሒት ድማ፡ ኣብ ጋሽ ሽምባሪ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ልዕሊ ካብ ሓማሴን ዝመጹ ሓረስቶት ኢዩ ተፈጺሙ። በቲ ስርሒት 43 ሓረስቶት ካብኣቶም ካብ ዓዲ "ማይ ደረሰ" ዝመጹ ሸሞንተ ኣስላም ኣብ ሕርሽኦም ተቐቲሎም።

ቀዳማይ መልሰ ተግባር ናይቲ ኣንጻር ኩናማ ዝተኻየደ ስርሒት ከኣ፡ መብዛሕትኦም ነበርቲ ናይተን ዓዲታት ክጸርዎ ዝኽእሉ ንብረቶም ሒዞም ናብ ከተማ ባረንቱ ብምእታው ነፍሶም ንኽከላከሉ ዝዓጥቅዎ ብረት ካብ ጸላኢ ሓተቱ። ኣብ ሒጺር ግዜ ኣማኢት ደቂ'ቲ ቦታ ብረት ብምዕጣቅ ከኣ ዕርዲ ከይኖም ንሰውራ ናብቲ ከባቢ ከይኣቱ ክልክልዎ። ብሰንኩ ከኣ እቲ ብድሕሪኡ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ሽግር ኩናማ ተባሂሉ ዝተሰመየ ተኸሲቱ።

እንተ ምቕታል ሓረስቶት ዓንሰባ ኣብ ሽምበሪ፡ ነቲ ጸላኢ ዕላማ ሽፋቱ ምስ ሃገርን ህዝባን ምትእስሳር ዘይብሉ ሃይማኖታዊ ዕላማ'ዩ እናበለ ዝገልጾ ዝነበረ ፖለቲካ ዘራጉድ ብምንባሩ ኣብ ጋዜጣታቱ ብሰፊሕ ኣቃለሊሑዎ ኢዩ። እዚ ስርሒት'ዚን እቲ ጸኒሕና እንገልጾ ምዕባለታት ሓሙሽይቲ ክፍልን ድማ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ ዓመት'ቲ ደቂ ከበሳ ኣንጻር ሰውራ ብሰፊሑ ንኽዕጥቁ ዓቢ ምኽንያት ኮይኑ ኢዩ።

መሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊን ሰውራዊ መሪሕነትን ነቲ ብወተሃደራዊ መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝተፈጸመ ስርሒት መግለጺ ክቕርብሉ ሰለዘይከኣሉ ከኣ ንናይ ጎደናታት ዘረባታትን መግለጺታትን ተገዲፉ፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝገራጮ ትርጉማት እውን ይወሃቦ ነይሩ። ሰውራዊ መሪሕነት ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ መርመራታት'ኳ እንተካየደን ፈጸምቱ እንተ ፈለጠን ግን ኣንጻሮም ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ኣይወሰደን።

ሰውራዊ መሪሕነት ጸግዒ ናይቲ ብመሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝቐርብ ዝነበረ መግለጽታት ከም ዝሓዘ ዘመልክት ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ቅድሚኡና ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ብ30-11-1967 ብዛዕባ'ዚ ንዛረበሉ ዘሎና ፍጻሜታት ጋሽ፡ ከምኡ ከኣ ፍጻሜታት ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብዝምልከት ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዝለኣኽዎ መልእኽቲ ኣሎ። ትሕዝቶ ናይቲ መልእኽቲ ብዛዕባ ቅትለት ሓረስቶት ዓንሰባ (ሓማሴን)ን ኣብ ልዕሊ ኩናማ ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ምንዳድን ዝምታን ከ እንታይ ነይሩ?

ብዛዕባ ቅትለት ሓረስቶት ዓንሰባ ብዝምልከት ትሕዝቶ ናይቲ መልእኽቲ **"ብዛዕባ ቅትለት ናይቶም ጸላኢ ኣብ ቦታ ናይቶም ኣብ ዝሓለፈ ወቅቲ ሓጋይ ብግፍዒ ዝሰጎጎም ኣሰላም ንኸቐምጦም ኢሉ ናብ ባርካ ዝመጽኡም ሓረስቶት ብዝምልከት፡ ቅትለት ናይዞም ሓረስቶት እዚኣቶም ዓቢ ፖለቲካዊ ጌጋ ኢዩ። በዚ ድማ ነቲ ኣብዚ ሽግርዚ ንኸውድቐና ዝተወጠነ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣገልጊልና ማለት ኢዩ።"** ይብል።

እምባኣርከስ፡ እቲ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ዝበጽሐ ወግዓዊ ሓበሬታ፡ እቶም ሓረስቶት ናብቲ ኣብ መጀመርያ ናይቲ ዓመት'ቲ ብዝተኻየደ ጃምላዊ ህልቂት ተገዲዶም ዝተሰዱ ምስልምና ዝቕመጥሉ ቦታታት ንምስፋር ኢትዮጵያ ከም ዘምጽኣቶም ዝሕብር ኢዩ። እዚ መግለጺ'ዚ ግን ካብ ምንታይ ኢዩ ዝብገስ፡ ሓቅነቱ ከ ክሳብ ክንደይ ኢዩ?

- እዞም ንዛረበሎም ዘሎና ሓረስቶት ብምልኦም ካብ ኣውራጃ ሓማሴን ዓዲታት ዓንሰባ ዝመጹ ኢዮም። ሰበ ስልጣን ኣውራጃ ጋሽ-ሰቲት ከኣ ኣስታት ቅድሚ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ናይቲ ፍጻመ ዝሕረሰ መሬት ኣብ ሽምባሪ ዓዲሉዎም ነይሮም። ነቲ ናብ ሓረስቶት ናይ ምዕዳል መሬት ሰራሕ ዘካየዱ ከኣ ኣመሓዳሪ ናይቲ ኣውራጃ "ገብረቃል" ን እቲ ኣብ ዓዲ ሼኽ ኣብ ዝተኻየደ ኵናት ብ13-11-1965 ዝተቐትለ መራሒ ማሊሻ ኢትዮጵያ ኣብ ቶኾምብያን ምስሌነ ዓድን ተኸለንኪኤል ቀሺ ወልደማርያምን ኢዮም። ክልቲኦም ከኣ ደቂ ዓንሰባ ኢዮም። እዞም ሓረስቶት እዚኣቶም፡ ዋላ'ኳ ድሕሪ ገለ ዓመታት ኣብኡ እንተ ተቐመጡን ኣስማት ኣብ ዓንሰባ ናይ ዝርከባ ዓዲታቶም ዘውጽኡለን ዓዲታት እንተመሰረቱ ክሳብ'ቲ ዕለት'ቲ ግን ሰብኡት ጥራይ ኢዮም ኣብ ግዜ ማሕረስ እናመጹ ሓሪሶም፡ ንዝሓረስዎ ምህርቲ ሓፊሶም ናብቲ ቀንዲ ዓዶም ዝምለሱ ዝነበሩ።
- እንተ'ቶም ብኢትዮጵያ ብግፍዒ ተሰጒጎም ተባሂሎም ኣብታ ደብዳበ ተጠቒሶም ዘለው ኣስላም፡ እቶም ኣብቲ ዓመት'ቲ ግዳይ ጃምላዊ ህልቂትን ሰደትን ዝኾኑ ነበርቲ ናይቲ ቦታ ኢዮም። እታ ዝዓበየት ነዚ ንዛረበሉ ዘሎና ናይ ሓርሻ ቦታ ዝቐረበትን ኣብ ጋሽ ባርካ ዝያዳ ቅትለትን ግፍዒን ዝወረዳን ዓዲ ከኣ ዓድ ኢብራሂም ኢያ።

እቶም ሓረስቶት ኣብ ዝኾነ ካብቲን ነበርተን ዝተሰጉወን ዓዲታት ዘይተቐመጡ ክነሶም፡ ህላወኦም ኣብቲ ቦታ ንባዕሉ ከም ናይ ሰፈራ ፈተነን ዝዓበያ ዓዲታት ናይቲ ከባቢ ካብ ነበርተን ጥርሓን ምትራፈን ድማ ነቲ ናይ ሰፈራ ፖሊሲ ንምትግባር ከም ባይታ ምጥጣሕን ከም ዝተተርጎመ ካብታ ደብዳበ ክንርዳእ ንኽእል።

ዋላ ቅድሚ'ቲ ጅምላዊ ህልቂት ገለ ካብ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ንካብ ከበሳ ዝመጹ ሓረስቶት መሬት ምዕዳል ይቓወሙ ነይሮም ኢዮም። እቲ ተቓውሞ ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ ዝበጽሐ ግን ኣብቲ ዓመት'ቲ፡ ብፍላይ ኣብ ወቕቲ ማሕረስ ኣብቲ ቦታ ሓረስቶት ምስ ተራእዩ ኢዩ። እቲ ጅምላዊ ቅትለት ብቀዳመይቲ ክፍሊ ክፍጸም ከሎ፡

ኣብኡ ዝነበረን ሃዲሙ ዝወጸን ነባሪ "ማይደረሰ" ዝኾነ ኣቶ ዓብዱ ሙሓመድ ሓጎስ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብቲ ቦታ ምስ መጹ ጓሶት ከብቲ ናይቲ ከባቢ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ዓድ ኢብራሂም ኣብ ቅድሚኦም **"ሰለምንታይ ናብዚ መጺእኩም፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ስድራና ጠፊኦም ኢዮም፡ ደምና ውሒዙ ኢዩ።"** ክም ዝበልዎም፡ እቲ ዘረባ ኣብ ነብሶም ፍርሓት ይፈጥረሎም ከም ዝነበረ፡ እንተኾነ ግን ክሳብ ናብ ደረጃ ምቅታሎም ክበጽሕ ይኽእል ኢዩ ዝብል ግምት ከም ዘይነበሮም ገሊጹ።[84]

ሰለዚ እቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ብኣረኣእያ መሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ነቲ ብዋጋ ናይቶም ብግፍዒ ቅትለትን ዝተሰጉ ነበርቲ ዝካየድ መሰርሕ ሰፈራ ደው ንምባል፡ ምናልባት'ውን ከም መልሰ ተግባር ናይቲ ኮማንድስ ኣብቲ ቦታ ዝፈጸምዎ ቅትለት ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ኣባል ሰውራዊ መሪሕነትን ኣቦ መንበር መርመሪት ኮሚተን ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ ከኣ ብወገኑ፡ መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ፡ ነቶም ሓረስቶት ካብቲ ቦታ ንኽግዕዙ ብተደጋጋሚ'ኳ እንተ ሓበሮም፡ ንሳቶም ግን ነቲ ዝተዋህቦም ትእዛዝ ከምዝነጸጉ ይገልጽ።[85]

ኣብ ከምዚ ኩነታት ተዓዛቢ ክግምቶ ዝኽእል፡ እዞም ዜጋታት እዚኣቶም ህላወኦም ኣብቲ ቦታ ከም ኣንጻር ናይቶም ደቂ'ቲ ቦታ ሰለዝተወሰደ ናይ ጽልኢ ስምዒት ከም ዝማዕበለ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ሓይልታት ኮማንድስ ኣንጻር'ቲ ህዝብን ምንጪ እቶቱን ዕንወት ምስ ፈጸሙ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ። ከምዚ ዓይነት ስምዒትን ጽልኢን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ምስ ዝምዕብል ከኣ ብወገን'ቲ ዝተጎድኣ ሸነኽ ናብ ጉጉይ መልሰ ተግባር ከብጽሕ ይኽእል ኢዩ።

እንተኾነ ግን እቲ ዝተፈጸመ ከምኡ ኣይነበረን። ነቲ ስምዒት ወኪሉ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ዝወሰደ መሪሕነት ቀዳማይቲ ክፍሊ ኢዩ። እቲ ስርሒት ኣንጻር ክርስትና ዘይኮነስ፡ ኣንጻር'ቶም ደቂ'ቲ ቦታ ምስ ገዓዙ ዝመጹ "ስፋሮ" ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ እንተ ዘይከውን ነይሩ ድማ ካብ ካልእ ቦታ ዝመጹ ሽሞንተ እስላም ኣይምተቐትሉን ነይሮም።

እቲ ጸላኢ ኣብ 1967 ዝፈጠሮ ኩነታት ቀንዲ ዕላማታቱ ሃገራዊ መስርዕ ንምምቃል ሰለዝነበረ ኣብቲ እዋን እቲ ብሓቂ ንውጥናቱ ብንቕሓት ዝርዳእ መሪሕነት የድሊ ነይሩ። ካብ ጸቢብ ኣረኣእያ ተበጊሱ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ዝወሰዱ ዘይኮነስ፡ ንውጥናት ጸላኢ ዝፍሽል ንሃገራዊ ሓድነት ልዕሊ ኩሉ ዝሰርዕ መሪሕነት ኢዩ ዝድለ ዝነበረ። ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ደብዳበኦም እቲ ዝተፈጸመ ንፖሊሲ ኢትዮጵያ ዘገልግል ኢዩ፡ **"ንዚኣቶም ናብቲ ቦታ ምምጻኡ ድማ ንዓና ናብ ሽግር ንምውዳቕ ኢዩ።"** ክብሉ ምግላጾም ከኣ ገለ ጫፍ ናይ ሓቂ ረኺቦም ክበሃል ይከኣል።

እቲ ፍጻመ ብኩሉ መለክዒታት ኣረሜናዊ ኢዩ። ምስ ሰውራን መትከላቱን ከኣ ፍጹም ምትእስሳር የብሉን። ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ይቕረብ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ጃምላዊ ቅትለት ዝፍጽም ከተመኽንየሉን ክትከለኸለሉን ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ስርሒት'ቲ ንምስሊ ሰውራ ዝደወነ ዘይሓዊ ብሰላ ዝገደፈ ኢዩ።

ኮማንድስን ጦርሰራዊትን ኣብቲ ጽንኩር ታሪኽ ሰውራ ዝፈጸምዎ ተግባራት ሕሱርን ኢሰብኣውን ኢዩ። ይኹን'ምበር ንተግባራት እዘን ዑጡቃት ሓይልታት ጸላኢ እዚኣን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሓረስቶት ምጥቃኑን ብሞት ምቕጽያምን ምኽንያት

---

[84] ደራሲ ምስኡ ብ18-3-2006 ኣብ ባረንቱ ዘካየደ ቃል መጠየቕ

[85] ዑመር ሓጅ እድሪስ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ይቅመጥ ኣሎ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ዝሃቦ ከኣ ደራሲ ብ19-9-2006 ብተለፎን ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ኢዩ።

ክርከበሉ ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተፈጸመ ተግባር ከኣ ንሰውራ ዘይኮነስ ንናይ ጸላኢ ፖሊሲ ዘገልግል ኢዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ዝሃብናዮ መግለጺ ካልእ ሓቂ ዝበሃል መግላጺ ከኣ ክወሃቦ ዝከኣል ኣይመስለናን።
እንተ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዓዲታት ኩናማ ዝተፈጸመ ተግባር፡ ደብዳበ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ጠንቂ ንምፍላጥ ዝሕግዘና ኣይነበረን። እቲ ዘኸተሎ ሳዕቤን ጥራይ ጠቂሱ ኢዩ ሓሊፉ። እታ መልእኽቲ **"ከምኡውን ጉዳይ 'ባዛ' ብዝምልከት እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ናይ ግድን ንሳቶም ነቲ ስጉምቲ ከም መቐጸልታ ናይቲ ምስ ቢኒዓምር ዝነበሮም ቀቢላዊ ግርጭት ጥራይ ኢዮም ክትርጉምዎ ዝኽእሉ።"** ኢላ። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት እንታይ ኢዩ? ሳዕቤናት ናይቲ ስጉምቲ ከ እንታይ ነይሩ?

*መጽሄት* **"ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ"** ብ1-10-1973 ኣብ መበል 12 ሕታማ **"ተመኩሮ ፖለቲካዊ ስራሕ ኣብ ጋሽ"**[86] ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነዚ ሕቶትታ ብሰፊሑ ዝምልስ ነዊሕ ዓንቀጽ ኣሰፊራ። ነዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝመረጽናሉ ምኽንያት ከኣ ምስቲ ፍጻመ ናይ ግዜ ቅርበት ሰለዘለዎን ኣብቲ እቲ ሽግር ኣመና ተሓላሊኹ ንምፍታሑ ኣሸጋሪ ኮይንሉን ኣብ ዝነበረ መድረኽ ሰለዝወጸን ኢዩ።

እቲ ዓንቀጽ ንብሄረ ኩናማ ካብ ካልኦት ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ብሄራት ዝፈልዩ መለለይታታት ጠቂሱ። እቲ መለለይታታት ድማ ኣብ ውሽጢ'ቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ካልኦት ብሄራት ብዛዕባኦም ካብ ናይ ሴማውያን ወይ ኩሻውያን ከም ቢኒዓምር ስምዒታት ዝብገስ ዘይቅኑዕን ጉጉይን ኣተሓሳስባታት ከምዘማዕበለ ይሕብር። ቀጺሉ'ቲ ዓንቀጽ እቲ ዘይከውንነታዊ ኣተሓሳስባታት ምስቲ ኣብ መንጎ ጓሰትን ሓረስቶትን ዝህሉ ባህሪያዊ ግጭት ተደሪቡ ውጽኢቱ ከኣ ኣብ መንጎ ሓረስቶት ኩናማን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጓሰት ካልኦት ብሄራት ብፍላይ ከኣ ቀቢላታት ቢኒዓምር ደማዊ ኵናት ሓድሕድ ከምዘስዓበ ገሊጹ። ከም ኣብነት ከኣ ኣብ መንጎ ቢኒዓምርን ናራን ብሓደ ወገን ኩናማ ከኣ በቲ ካልእ **"ሰላብ ሕያይ"** ብዝፍለጥ ግዜ ኣብ መጨረሽታ ኣርብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ኵናት ሓድሕድ ከምዘጋጠመን **"ኣብ መንፈስ ተዋጋእቲ ሸነኻት ብዙሕ ምረት ድሕሪ ምግዳፉ"** ኣብ 1951 ብቐቢላዊ ዕርቂ ከም ዘብቀዐን እቲ ዓንቀጽ ኣረዲኡ።

ቀጺሉ እቲ ዓንቀጽ፡ ሰውራ ኣብ ክሊ'ዚ ዝተሓለለኸን ጽንኩርን ድሕረባይታ ምጅማሩን ኣብቲ ዝሓለፈ ቀቢላዊ ኵናት ብኣካል ዝተሳተፉ ባእታታት ድማ መሪሕነታዊ ቦታ ምሓዞምን ምስቲ ንማሕበራዊ ሓይሊ ሰውራን ጸላእቱን ዘነጽር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘይምህላውን ሓላፍቲ ኣካላት ሰውራ እውን ከምቲ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ዘርእይዎ ዝነበሩ ተገዳስነት ብዕላማታት ሰውራ ንምንቕቓሕ ኣብ ህዝቢ ኩናማ ዘይምርኣዮምን ኩሉዚ ተደሚሩ ምትእስሳር ህዝቢ ኩናማ ምስ ሰውራ ስማውን ኣብ ክንዲ ኣብ ዕግበት ኣብ ፍርሓት ዝተመርኮሰን ክኸውን ከምዝገበሮ ኣብሪሁ።

ብዛዕባ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና ምድረኽ ዘጋጠመ ኣመልኪቱ ከኣ እቲ ዓንቀጽ ነዚ ዝስዕብ ኣሰፊሩ ኣሎ።

**"ወተሃደራዊ መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ፡ ነበርቲ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ኣብቲ ጸላኢ ዘካየዶ ናይ ጃምላዊ ህልቂት ኵናት ተሰቲፎም ኢዮም ብዝብል ምኽንያት ወተሃደራዊ መልሰ ተግባር ንምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ጃምላዊ ቅትለት ንኽፍጸምን ንብረቶም ንኽህገርን ውሳነ ኣሕሊፉ። ብመሰረት'ቲ ውሰነ ከኣ**

---

[86] መጽሄት ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ወግዓዊ መጽሄት ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ።

*ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነቲ ዝተዋህበ ትእዛዝን ንምትግባር ናብቲ ቦታ ተንቀሳቒሰን። ውጽኢት ትግባረ ናይቲ ውሳነ ከኣ እዚ ዝስዕብ ነይሩ።*

1. *ብዙሓት ዜጋታት ብዘይ ፍርዲ ሂወቶም ስኢኖም፡ ዓዲታቶም ነዲዱ፡ ጥሪቶም ተሃጊሩን። እተን ሽዑ ዝተዘምታ ከብቲ ልዕሊ ሽሕ ይበጽሓ ነይረን።*
2. *ህዝቢ ናይቲ ቦታ ፍርሒን ራዕድን ሰፊኑዎ። ሰውራ መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ ቀቢላዊ ውግኣት ኢዩ ናብ ዝብል እምነት ድማ በጺሑ።*
3. *ብዙሕ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ብዝወረዶ ሕማቕ ኩነታት ናብ ንቁጣታት ጸላኢን ናብተን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ቀንዲ ከተማታትን ተሰዲዱ።*
4. *ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ካብ ሰውራ ሓለዋ ንኽገብረሉ ንጸላኢ ሓቲቱ።*

*እዚ ውጽኢት'ዚ ንጸላኢ ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይቲ ከባቢን ሰውራን ምፍንጫል ንኽገብር ምቹእ ሃውህው ከም ዝፈጠረሉ ብሩህ ኢዩ። ኣብቲ ድሕሪ'ዚ ምዕበላታት'ዚ ዝሰዓበ እዋን ከኣ ጸላኢ ነዚ ዝስዕብ ከረጋግጽ ከኣሉ።*

1. *ኣብቲ 'ብባንዳ' ዝፈለጥ ዘይሰሩዕ ሰራዊቱ ብዙሓት ከቲቡ። ኣስታት* 600 *ብረት ከኣ ኣዕጢቑ።*
2. *ኣብ ዓዲታት ኣሾሺ፡ ከርከሻ፡ ኣይኩተም፡ ኣመሌቲ፡ ማሪቲ፡ ኮና፡ ዳስ፡ ኩልኩ፡ ኣናጉሉን ቢንቢናን ድማ እዞም ሓደስቲ ዝተኸትቡ ባንዳ ዝርከብዎ* 11 *ወተሃደራዊ ንቍጣታት ቀይመን። ከምኡውን ነቲ ኣብ ሻምብቆ፡ ብሹካ፡ ቶኮምብያ፡ ኣውጋሮን ጎኖን ዝርከብ ናይ ቅድም ንቍጣታቱ በዞም ሓደስቲ ዝተኸትቡ ባንዳ ኣሓይልዎን ፍሉይ ቦታ ኣቀሙሎምን።*
3. *መብዛሕትኦም ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ከኣ ኣብ ጥቓ'ዘን ንቑጣታት እዚኣተን ከምዝሰፍሩ ትገይሩ።*

*ኣብዚ መጀመርታ* 1968 *ዓ.ም ከኣ እቲ ቦታ ንሰውራ ዕጹው ኮነ። ህዝቢ ካብ ሰውራ ተነጺሉ። እቲ ኩነታት ከኣ ዘይፍታሕ መሰለ። ጸላኢን ሃሱሳቱን በቲ ዘረጋገጽዎ ዓወታት ክምክሑን ክጃሃሩን ጀመሩ።"*

ኩናማ ነዚ ተግባር'ዚ ብዘይካ መቐጸልታ ናይቲ ሕሉፍ ቀቢለዊ ግርጭት ካልእ እንታይ ትርጉም ክህብዎ ይኽእሉ? ሰውራ ከ ካብዚ ተግባር እዚ ብዘይካ ሩኡይ ክሳራ እንታይ ረኺቡ?

ኣብ እዋኑ ካብ ደቂ ኩናማ ኣብ ሓይልታት ኮማንድስን ባንድን ብምንባሮምን እቲ ህዝቢ ድማ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ምስ ጸላኢ ይትሓጋገዝን ንዕላማታት ሰውራ ዘይቅበልን ብምንባሩን እቲ ስጉምቲ ከምዝተወሰደ ተገሊጹ።

ልክዕ'ዩ ብመሰረት'ቲ ዓንቐጽ ዝተንተኖ ምኽንያታትን ካልእ ከም ስግኣትታት ኩናማ ካብቶም ኣብ ጋሽ ብጽዑቅ ዝሰፈሩ ዝነበሩ ናይ ከባቢ ብሄራትን ብዙሓት ክፍሊታት ካብ ብሄረ ኩናማ ኣብ ሰውራ ዕቓበታት ነይሩዎም ኢዩ። ብውልቂን ጉጅለን ተጻባኢ መርገጺ ዝነበሮም ከምዝነበሩ ጨብጥታት ክቐርብ ይክእል'ዩ። ብደረጃ ብሄር ንሰውራ ዝጻባእ መርገጺ ነይሩ ኢልካ ምዝራብ ግን ጌጋ ኢዩ። እቲ ፍጻመታት ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ንባዕሉ ብዙሓት ካብ ደቂ ኩናማ ከም ፍሉጥ መራሒ ሓይሊ "ማልክ ኣደና"፡ ካብ መራሕቲ ጋንታታት ድማ ከምኒ "ናቲ ሽረፋ"ን "ኦሮሮ ኤላ"ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ መራሕቲ ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነይሮም ኢዮም። ከምኡውን እቲ ንሱዳን ዝቐንዐ ናይ ስደት መሰርሕ ንገለ ክፍሊታት ኩናማን ዓበይቶምን ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ። በዚ መዳይ'ዚ ከኣ ፍሉጥ ሃገራዊ ሙሳ ዓሊ ሹሊ ክጥቐስ ይከኣል። ከምኡ'ውን መሰለኒ (ናዝር) ናይ ኩናማ ሼኽ ሙሓመድ ባዱመን ብዙሓት ካልኦትን ተሰዲዶም ኢዮም።

ብሓቂ ኣብቲ እዋን እቲ ኩነታት ኣብ ከባቢታት ኩናማ ብኣወንታ ይምዕብል ነይሩ፡ ኣብ ብዙሓት ዓድታት ድማ ናይ ሰውራ ኮሚተታት ቀይመን ነይረን። ኣብ ሃገራዊ ዕላማ ሰውራ ዝተመርኮሰ ጽዑቅ ፖለቲካዊ ስራሕ እንተ ዝካየድን መሪሕነት ድማ ምስ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ጠቢቁ እንተ ዝሰርሕን ነይሩ ነቲ ሕሉፍ ቅርሒንቲታት ኣልዩ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ኣብ ጎኒ ሰውራኡ ደው ከምዝብል ምኾነ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን ግን ከምዚ ዓይነት ሰራሕ ኣይተኻየደን።

እቲ ኣንጻር ኩናማ ዝተኻየደ ስርሒት ኣብ መንፈስ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ከምኡውን ኣብ ብዙሓት ተጋደልቲ ቐዳመይቲ ክፍሊ ዓሚቁ ኣሰር ገዲፉ ኢዩ። ልክዕ'ዩ ብሰንኪ ፍርሒ መልሰ ተግባር ኣንጻር'ቲ ስርሒት ኣብ እዋኑ ኣይነበረን። ይኹን እምበር እቲ ዝገደፎ ኣሰር ብቕልጡፍ ይምዕብል ስለዝነበረ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ 1968 **"ብምንቅስቓስ ከሰር"** ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ንኽባራዕ ረጂሒታት ኮይኑ። ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ክንርእዩ ኢና።

# 4. መልሰ ተግባር ሳልሰይቲ ክፍሊ

መራሕቲ ኣሃዱታት ሰውራ ካብ መጀመርታ 1964 ጠመተኦም ናብ ከበስታት ነይሩ። ካብ ፖሊስ ኤርትራን ፊልድፎርስን ብፍላይ ናብ ሰውራ ዝተሰለፉ መብዛሕትኦም ደቂ ከበሳን ኣብኡ ዝሰርሑ ዝነበሩን ብምንባሮም ከኣ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ነቲ ከባቢን ህዝቡን ይፈልጥዎ ነይሮም። ስለዚ ከኣ ብናኣሽቱ ኣሃዱታት ገይሮም ብወገን ኣውራጃ ሰራየ ንምእታው የመቻችኡን ባይታ የንጽፉን ነይሮም። ካብ ምዕራባዊ ከባቢታት ሰራየ ከም ካብ በዓል ምስያምን ካብ ባርካ ላዕለይን ዝተሰለፉ ውሑዳት ዘይኮኑ ተጋደልቲ ብምንባሮም ከኣ ናብ ኩሉ ከበሰታት ንምዝርጋሕ ምእንቲ ኣብቲ ከባቢ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ሓጋዚ ረጂሒ ነይሩ።

ጸላኢ ግስጋሰ ሰውራ ንምዕጋት ኣብቲ ከባቢ ዓቢ ጻዕሪታት ኣካየዱ ኢዩ። ሓደገኛነት ሰውራ ናብ ከበሳ ቅድሚ ምቅልቃሉ ንምቅንጻሉ ከኣ ንጉጅለታት ሰውራ ኣብቲ ከባቢ ዝሃድናን ዝቕንጽላን ምሉኣት ኣሃዱታት መዘዘ። ነዚ ዕማም'ዚ ንክስልጥ ቅድሚ ኩሉ ዝተመዘዘ ከኣ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ተራኡን ኣማውታኡን ዝገለጽናዮ ሓደ ካብ መራሕቲ ፖሊስ **"ሽምበል ያሲን"** ኢዩ ነይሩ።

ኣሃዱታት ሰውራ ንከበሳ ንምድያብ ጻዕሪታት እናካየዳ ከለዋ ኣብ መራሕተን ዓቢ ክሳራታት ወሪዱወን ኢዩ። ካብ ሚያዝያ 1964 ክሳብ ነሓሰ ናይቲ ዓመት'ቲ ከኣ፡ ካብ መራሕቲ ሰውራ ዑመር ናሰር ሹም፡ ዑስማን ኣደም፡ ዓሊ ኣሕመድ፡ ሕሴን ሻጊን ብዙሓት ተጋደልትን ተሰዊኦም። እንተኾነ ግን ጽንዓት ተጋደልትን ናብ ዕላማኦም ንምብጻሕ ዝነበሮም ሓያል ኒሕን ኣይተዳኸመን።

ኣብ 1965 ወተሃደራዊ ክፍልታት ምስ ቆማን ንሳልሰይቲ ክፍሊ ሰለስተ ጋንታታት ምስ ተመደበላን ከኣ፡ ንጥፈታታ በቲ ኣቐዲሙ ብወገን ህዝባዊ ደገፍ ንሰውራ ይኹን ብወገን ወተሃደራዊ ሓቅታቱ ኣብ ምፍላጥ ምቹእ ባይታ ተፈጢሩሉ ዝነበረ ምዕራባዊ ወገን ሰራየ ኢያ ጀሚራ።

ጸላኢ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣሃዱታት ሰውራ ብምምካት ዝያዳ ምድላው ገይሩ ነይሩ። ሓይልታት ኮማንድስ ብልዑል ናይ ኵናት መንፈስን ርእሰ ተኣማንነትን ድሮ ኣብ ዓውደ ኵናት ወሪዶም ነይሮም። ከምኡውን ጸላኢ ንግስጋስ ሰውራ ናብ ሰራየ ንምዕጋትን እንተድኣ ንቅድሚት ገስጊሱ ድማ ብድሕሪት ንምህራሙን ኣብ ቶኮምብያ ጋሽ ብመሪሕነት ተኸለንኪኤል ኣሃዱታት ባንዳ ኣዳልዩ ነይሩ። ከምኡውን ግስጋሰ ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ደው ንምባል፡ ብኣሃዱታት ኮማንድስን ፖሊስን ዝተሓገዙ

ካልኦት ኣሃዱታት ማሊሽ ኣብ ሰራየ ኣቀኑሙ ነይሩ። ምክትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ምውህሃድ ከም ዘይነበረ ጥርዓን ከቅርብ ኮሎ ጸላኢ ኣብ ቅድሚኦም ባንዳን ፖሊስን ከምዝገበረ፡ ብድሕሪኦም ድማ ብሓይልታት ሰራዊትን ባንዳ (ማሊሽ) ተክለንኪኤልን ከምዝኸበቦም ጠቒሱ ነይሩ።

ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ ሓምለ 1965 ስራሓ ምስ ጀመረት ዝነበረ ድሕሪ ባይታን ህልው ኩነታትን ከኣ እዚ ኢዩ። ብጻዕቂ ወተሃደራዊ ህላወ ጸላኢ ክርአ ከሎ እቲ ቦታ ንሰውራ ዕጹው ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ብዛዕባ ሓቂታት ሰውራ ይፍልጦ ስለዝነበሮ ሓርነታዊ ዕላማታት ሰውራ ንኽቅበል ዝሓሸ ቁርብነት ነይርዎ።

ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ካብ መጀመርታ ኣብ ተኸታታሊ ውግኣት እየን ኣትየን፡ ካብ ዕለት 19-9-1965 ኵናት ማይላም ጀሚሩ ሓንሳብ ምስ ኮማንድስ ሓሳብ ከኣ ምስ ሚሊሻታት ኣብ ቀጻሊ ኵናት እናኣተዋ ድማ ብዙሕ ግዜ ናብ “ዓድ ኩኩይ” ባርካ ላዕለይ ከዝልቃ ይግደዳ ነይረን። ዝያዳ ምድላዋት ገይረን ከኣ፡ ከም እንደገና ይምለሳ ነይረን። ኣብ ኩሉ ውግኣት መስዋእቲ ይኸፈላ'ኳ እንተነበራ፡ ኣብ ልዕሊ ኣሃዱታት ጸላኢን መራሕቱን እውን ክሳራታት የውርዳ ነይረን እየን። ሓደ ካብቲ ኣብቲ ተካታታሊ ውግኣት ሳልሰይቲ ክፍሊ ካብ ዘጋጠማ ቀንዲ ክሳራ ድማ ብ13-11-1965 ኣብ ዓድሼኽ ኣብ ዝተገብረ ኵናት ምክትል መራሒ ክፍሊ ሓምድ ጅምዕ (ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበረ) ምስዉኡ ኢዩ። ጸላኢ እውን ኣብቲ ኵናት ዓንዲ ማእከል ሓይሊ ማሊሽኡ ኣብ ጋሽ ዝነበረ ተኽልንኪኤል ቀሺ ወልደማርያም ከሲሩ ኢዩ።

ኣብዚ ኣብቲ እዋን እቲ መራሒ ጋንታ ዝነበረ ሙሓመድ ዓሊ ሒጎ ዝህቦ ክዝንቶ ዘለዎ ሓበሬታ ኣሎ። ሒጎ፡ ሓምድ ጅምዕ ብስራሕ ናብ ከሰላ ከይዱ ድሕሪ ምጽናሕ ቀቅድሚ እታ ውግእ ከም ዝተመለሶም ይሕብር። ቀጺሉ ሓምድ ጅምዕ ሰላምታ ድሕሪ ምባል ኮፍ ክብልን እቲ ዋርድያ ተኽልንኪኤል ምስ ኣሃዱታቱ ይመጽእ ኣሎ ክብልን ሓደ ኮነ ይብል። ሽዑ ሓምድ ጅምዕ ዘረብኡ ንመራሒ ክፍሊ ዓብደልከሬም ኣሕመድ ኣቕኒዑ፡ ሎሚ ተኽልንኪኤል ክምለስ የብሉን፡ ሓዲና ኣነ ወይ ንስካ  ምስኡ ክተርፍ ኣለዎ በለ። ዓብደልከሬም፡ ድሕሪ እቲ ናብዚ ቦታ ከነዝልቅ ዘገደደና ብቅድሚ ትማሊ ዘካየድናዮ ኵናት ተጋደልቲ ደኺሞም ይርከቡ ብምባል ነቲ ሓሳብ ናይዘይምቅባል መንፈስ ኣርእዩ። ሓምድ ጅምዕ ግን ኣብ ሓሳቡ ደሪቑ ወታሃደራዊ ክዳኑ ክመልስ ጀመረ። ቀጺሉ ሒጎ **“ምንቅስቃስ ናይ ሓምድ ጅምዕ ብሃንደበት ነቲ ዝነበረ ኩነታት ናብ ናይ ውግእ ሃዋህው ቀየሮ። መራሕትን ተጋደልትን ንውግእ ክቐራረቡ ጀመሩ። ኣነ ባዕለይ እዚ ምስ ራኣኹ ፊስካ ስለዝነበረትኒ ካብ ጅባይ ኣውጺኣ ሂበዮ። ብኣኣ ጌሩ ከኣ ናይ ህጁም ትእዛዝ ብምትሕልላፉ ባዕሉ ነቲ ህጁም ቀደሞ። እቲ ግጥም ኣብ ጎልጎል ኢዩ ተካይዱ። ከቢድ ኢዩ ነይሩ። ተኽልንኪኤል ሞይቱ፡ ሓምድ ጅምዕ'ውን ከም ቃሉ ሓሊፉ”** ይብል። ኣብቲ ውግእ ብወገን ተጋደልቲ ሽውዓተ መብዛሕትኦም ደቂ ምስያም ከምዝተሰውኡ ሙሓመድ ዓሊ ሒጎ ብተወሳኺ ይገልጽ።[87]

## መርገጺ ህዝብን ተራ ማሊሻታትን

ድሕሪ ምቛም ክፍልታት ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ናብቲ ዝተወሰነሎም ቦታ ምስ ገስገሳ፡ ብወገን ህዝቢ መግቢ ኣብ ምቅራብ ይኹን ብዛዕባ ጸላኢ ሓበሬታታት ኣብ ምስናቕን ውጉኣትን ሕሙማትን ኣብ ምግዕዓዝ ብዙሕ ምትሕግጋዝ

---

[87] ቃለ መጠየቕ - ኣስመራ 31-7-2006

ከምዝተገበረሎም ዑስማን ኣሕመድ ሳልም ይገልጽ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ህዝቢ ብሰፊሑ ዓጢቑ ኣይነበረን። የግዳስ ውሑድ ዝቁጽሮም ኣሃዱታት ማሊሻ ኢዮም ነይሮም ከኣ ይብል።[88]

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ሰለስተ ኣሃዱታት ማሊሻ ብመሪሕነት **"ተኽለወይኒ"** ኣብ **"ቆሓይን"** ብመሪሕነት **"ግርማይ ጊላጋብር"** ኣብ **"ዓረዛ"** ከምኡ ድማ ብመራሕነት **"ገብረንጉስ"** ኣብ **"ገዛ ቀላቲ"** ነይረን። እዞም መራሕቲ እዚኣቶም ብሰንኪ ዋሕዲ ኣሃዱታቶም ብዘይ ናይ ኮማንድስን ፖሊስን ሓገዝ ዘይንቀሳቐሱ'ኳ እንተነበሩ፡ ፍጹም ጸግዒ ጸላኢ ዝሓዙ ኣሃዱታት ሰውራ ንምጥፋእ ዝተዓጥቑ ኢዮም ነይሮም። ሕሉፍ ሓሊፎም ሓደ ሓደ ግዜ ንበይኖም ማሊሻኦም ጥራይ ሒዞም ኣንጻር ተጋደልቲ ይዋግኡ ነይሮም። ብፍላይ እቲ ኣብ ጥቅምቲ 1967 ዝተቐተለ ግርማይ ጊላጋብር ካብ ኩሎም ንላዕሊ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ክቱር ጽልኢ ሰለዝነበሮ፡ ሰውራ ንምጥፋእ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ነይሩ። ክቱር ጽልኡ ንሰውራ ከኣ፡ ምስቲ ካልእ ምኽንያታት፡ ብዝያዳ ካብቲ ምስቲ ኣብ ሕዳር 1965 ዝተቐትለ ተኽልንኪኤል ናይ ቶኮምብያ ዝነበሮ ናይ መውስቦ ዝምድና ኢዩ ዝብገስ ይብሃል።

ግርማይ ጊለጋብር ካብቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ዝገበሮ ክቱር ጽልኢ ዝተበገሰ ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ውግእ ናይ ሓደ ዑመር ያሕያ ዝተበሀለ ሰውእ ርእሲ ቆሪጹ ናይቲ ንኽቀትሎ ዝደልዩ ዝነበረ ዑመር ኣቡሸነብ[89] መሲሉዎ ናብ ሰበ ስልጣን መንደፈራ ልኢኹዎ። ይኹን'ምበር ግርማይ እውን ካብቲ ዕድል'ቲ ኣየምለጠን። ምስ ተቐትለ ርእሱ ተቆሪጹ ናብታ ምስ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝተኣሳሰረትን ኩሉ ኣድላዪ ዝበሃል ሓገዝ ዘበርከተትን ዓድ ኩኩይ ተላኢኹ።

ከምኡውን ተኽለ ወይኒ (ቆሓይን) ሓያል ተጻባኢ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንሱን ምክትሉ **"ሣብተ ሓኈታ"** ን ኣብ 1967 ኣብ ደራቡሽ ተቐቲሎም።

ኣብ ኣካለጉዛይ እውን ካብ **"ቴድረር"** ሓደ **"ደበሳይ ድራር"** ዝተባህለ ካብ መራሕቲ ማሊሻታት ንሰውራ ብዘይ ንሕስያ ተዋጊኡ። ኣብቲ ኣብ 1967 ኣብ ሃዞሞ ጸላኢ ዝፈጸሞ ናይ ቅትለትን ሰደትን መደብ ንሱ ቀንዲ ፈጻሚኡ ምኳኑ'ዩ ዝግለጽ። ኣብ ሓደ ውግኣት ብዘጋጠሞ መውጋእቲ ድማ ተሳቒዩ ሞይቱ።

ምስቲ ኩሉ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ጻዕቂ ብረት ጸላኢን ብርታዐ መራሕቲ ኮማንድስን ማሊስሻታትን ኣሃዱታት ሰልሰይቲ ክፍሊ ክጸንዓ ክኢለን እየን። ናብ ከተማታት መንደፈራን ዓዲ ኳላን ብምቅራብ ከኣ፡ ኣድማዕነተን ዘረጋገጻ ዕውት ናይ ፈዳይን ስርሒታት ኣብ ምፍጻም ዝታሓባበራን ውሽጣውያን ስርዒታት ኣቍመን።

ብተወሳኺ፡ ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ናብ ኣከላጉዛይ ብምብጻሕ ዕውት ውጋኣት ኣካየዳ። ሓደ ካብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ከበሳ ከም ዝዓበየ ኵናት ኣብ ልዕሊ መዓስከር ጸላኢ ዝግለጽ ዝነበረ ከኣ እቲ ጸላኢ ልዕሊ 20 ምውታትን ቁስላትን ዝኸሰረላ ብ5/7/1967 ዝተካየደ ኵናት ኩዓቲት ኢዩ ነይሩ።

## ሽግራት ሳልሰይቲ ክፍሊ

ሽግራት ሳልሰይቲ ክፍሊ ዳርጋ ኣብ መፋርቕ 1967 ዓ.ም ኢዩ ጀሚሩ። እቲ ሽግር መሪሕነት ናይቲ ክፍሊ ኣብ ገለ ከባቢታት ካብ ዝወሰዶ ስጉምትታት ምስ ውሽጣዊ ሽግራት ተደሚሩ ዝጀመረ ኮይኑ ቀንዲ ውጽኢቱ ተጋደልቲ ንመራሒ ክፍሊ ካብ ስልጣኑ ምውራዶም ኢዩ ነይሩ።

---

[88] ብ22-6-2006 ኣብ ጊንዳዕ ምስኡ ኣብ ዝተገብረ ቃል መጠይቕ ሕሉፍ ምንጪ

[89] ዑመር ኣቡሸነብ ሓደ ካብ መራሕቲ ጋንታታት ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝነበረ ኢዩ።

- መሪሕነት ክፍሊ ንሓንቲ “ዓዲ ሓንስ” ዝተባህለት ካብ ዓዲታት ቆሓይን ኣቃጺሉ። ንሳ ነቲ ንሰውራ ብምጽባኡ ፍሉጥ ዝነበረ “**ኣሰፋ ሰላምሳ**”[90] ዓዱ ኢያ። ብጸላኢ ዝተዓጥቁ ማሊሻታት ከኣ ነይሮማ። ነተን ኣብቲ ዓዲ ዝመጸ ኣሃዱታት ሰውራ ብምምካቶም ከኣ፡ እቶም ሓለፍቲ ንገለ ካብቶም ደቂ’ታ ዓዲ ቀቲሎም። ብሰንኪ’ዚ ሰጉምቲ እዚ ከኣ፡ ብጸላኢ ብረት ዝዓጠቁ ደቂ’ታ ዓዲ ቁጽሮም ዛይዱ ክሳብ 300 ብረት በጺሑ። ብዘይካ’ዚ ድማ መሪሕነት ክፍሊ፡ ዝኾነ ምስ ጸላኢ ዝተሓጋገዘ ወይ ብረቱ ዝዓጥቅ ከብቱ ከህገራ ውሳነ ኣሕላፈ። ብመሰረት እዚ ውሳነ’ዚ ከኣ፡ ካብ ዓዲ “**ኣጓልዕ**” ናይቲ ከባቢ ከብቲ ተሃጊሩ። እዚ ስጉምቲ’ዚ እውን ንዝምድና ሰውራ ምስ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ናብ ወጥሪ ኣዕሪጉዎ። ንዝወረዶም ሕነ ንምፍዳይ ከኣ ተላዕሉ። እዚ ምስቲ ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ ናይ ቀዳመይቲ ክፍሊ ፍጻመታት ተደሚሩ ከኣ እቲ ኩነታት ዝኸፍኣ ኮነ። ናይዚ ኩሉ ተግባራት’ዚ ውጽኢት ከኣ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ብኣምኢት ብረት ጸላኢ ምዕጣቁ ኢዩ ነይሩ።

ቆሓይን ብረት ጸላኢ ዝዓጠቐት ቀዳመይቲ ከባቢ ኢያ። መራሒኦም ከኣ እቲ ፍሉጥ ጸላኢ ሰውራ ዝነበረ “**ወዲ ሰላምሳ**” ኢዩ ነይሩ። መሪሕነት ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣሃዱታቱ ኣብ ዓዲ ሓንስ ዦናት ምስ ገጠሞም፡ ህዝቢ ናይታ ዓዲ ጸግዒ ሰውራ ንኽወስድ እቲ ዝሓሸ ስጉምቲ ምቅጽያም ኢዩ ኢሉ እኳ እንተ ገመተ፡ እቲ ውጽኢት ግን ብኣንጻር ናይቲ መሪሕነት ክፍሊ ዝገመቶ ኢዩ ኮይኑ።

ኣብቲ እዋን’ቲ ኩነታት ሰራየ ከም ኩሉ ሓፋሻዊ ኩነታት ከበሳ፡ ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ እንተተፈላለየ፡ ንሰውራ ዝድግፍ ኣይነበረን። ፖለቲካዊ ኩነታት ኣብ ገጠራት ከበሳ ካብቲ ኣብ ከተማታቱ ዝነበረ ዝተፈለየ ነይሩ። ይኹን’ምበር ቅሉዕ ተጻባእነት ኣይነበሮን። እዚ ድማ ብወገን መሪሕነት ክፍሊ ልዑል ጥንቃቐን ንረብሓ ሰውራ ንምቅያሩ ዘይሕለል ፖለቲካዊ ስራሕ ዝሓትት ኢዩ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምስ ህዝቢ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳያት ዝውሰድ ጃምላዊ መቕጻዕቲ ከኣ፡ ንውጥናት ጸላኢ ዘገልግልን ንረብሓኡ ዝውዕልን ኢዩ። መሪሕነት ክፍሊ ግን እዚ ኣብ ግምት ብዘይ ምእታው ዝወሰዶ ስጉምትታት ነቲ ኩነታት ኣንጻር ሰውራ ብቕልጡፍ ኣማዕበሎ።

- እንተ ውሽጣዊ ሽግራት ናይቲ ክፍሊ ክልተ ረቛሒታት ኢዮም ኣማዕቢሎምዎ። ቀዳማይ ረቛሒ፡ ንወተሃደራዊ ውጥናት መሪሕነት ክፍሊ ምቁዋምን ኣወሃህባ ሓላፍነት ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት ሰራዊትን ዝፈጠሮ ምዕዝምዛምን ኢዩ ነይሩ። ብፍላይ ከኣ መራሒ ክፍሊ ካብ ወገናዊ ኣተሓሳስባታት ተበጊሱ ንትሑት ተመኩሮን ብቕዓትን ዘለዎም ባእታታት ሓላፍነት ብምሃብ ይኸሰስ ነይሩ። ከምኡውን ብዘይ መጽናዕቲ ንኣሃዱታት ሰራዊት ኣብ መንጎ ሰራየን ኣኮላጉዛይን ምምዳቡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ነቲ ተቓውም ዘሰፋሕፍሐ ነይሩ። ከምቲ ዝራኣናዮ ክሳብ ገለ መራሕቲ ንመራሒ ክፍሊ ካብ መዝነቱ ንምውራድ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ጠለብ ኣቕሪቦም። እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ኣብቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1966 ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ “**ሓላፍነት መራሕቲ ክፍልታት ንምዕቃብ፡ ንመራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ካብ መዝነቱ ንምውራድ ዝቐረበልና ጠለብ ቁሊሕ ኣይበልናዮን**” ክብል ተዛሪቡ። እንተ’ቲ ካልኣይ ረቛሒ ድማ፡ እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኣብ 1967 ዝተኻየደ ፍጻመታት ሰራየ ኢዩ። ዑስማን ኣሕመድ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ርክቡ፡

---

[90] ኣስፍሃ ሰላምስ ድሒሩ ኣብቲ ቦታ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዘኻየዶ ዦናት ተቓቲሉ።

**"ምህጋር ከብቲ ነበርቲ ዓዲ 'ኣኻልዕን' መራሒ ክፍሊ ኣብቲ ጉዳይ ትም ምባሉን ቀንዲ ጠንቂ ንምንጻግ መሪሕነቱ ኣብቲ ክፍሊ ኮይኑ።" ኢሉ።**

እዚ ካልኣይ ምስ ቀዳማይ ረቛሒ ተደሚሩ ንመራሒ ክፍሊ ብወገን ሓለፍቲ ካብቲ ክፍሊ ምስጓጕ ዝብል ሓሳብ እንደገና ኣላዓዕሎ። እዚ ሰፊሕ ደገፍ ዝረከበ ሓሳብ ድሕሪ እቲ ከምዚ ናይ ሕጂ ናይ ሓባር ደገፍ ዘይነበሮ ቀዳማይ ጠለቦም ብላዕለዋይ ባይቶ ምስ ተነጸየ ኢዩ። ብልክዕ ድማ ከምቲ ዑስማን ዝበሎ ንሱ ዝርከቦም ንዑኡ ዝረኸብዎ ባእታታት በቶም ሓለፍቲ ተመዚዞም ንመራሒ ክፍሊ ካብ ከሰላ ክምለስ ከሎ ረኺቦም ነቲ ውሰነ ሓበርዎ። ንሱ ከኣ ተቐቢሎዎ። ከምቲ ዑስማን ዝሓበሮ ድማ እዚ ኣብ መጨረሽታ 1967 ኢዩ ነይሩ።

ሙሓመድ ዓሊ ሒጎ[91] ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ከኣ ንውስነ ናይቲ ምስጓግ ዝቓወሙ መራሕቲ'ኳ እንተነበሩ፡ ሓድነት ተጋደልቲ ንምዕቃብ ከምዝተቐበልዎ ይገልጽ።

# 5. ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊን ውድቐታን

## ኣቓውማን ሽግራትን

ዋላ እኳ ብዛዕባ ድሕሪ ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተራኣየ ምዕባለታት እንተ ጠቐስና ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊ ግን ኣይተዛረብናን። እዚ ድማ ኣብ ውድቀት ሓሙሽይቲ ክፍሊ ክንዛረብ ኮሎና ነቲ ውድቀት ዘብጸሐ ሮቛሒታት ኣቐዲምና ክንፈልጦ ብማለት ኢዩ።

[91] ብ31-7-2006 ኣብ ኣስመራ ምስኡ ኣብ ዝተገብረ ቃለ መጠይቕ ዝሃቦ ሓበሬታ።

ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኣብ ዓመታት1965-1966 ምስ ምዝያድ ተሰለፍቲ ደቂ ከበሳ ብፍላይ ክርስትያን ኣብ ሰውራ ዝተኣሳሰር ኢዩ። ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 1966 ነቶም ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝመደቡዎም ሓለፍቲ ኣብ ከሰላ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኣዊጁ። ኣብቲ ኣኼብ ከኣ ኣስማት ናይቶም ሓለፍቲ ረቑሑ። እንተኾነ ግን ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብግብሪ ስራሕ ዝጀመረት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1967 መራሒኣ ወልዳይ ካሕሳይ ናይ ኩለንተን ሽዱሽተ ጋንታታት ዝነበራ ኣሃዱታት ናይ ክፍሊ ኣብ ጥሪ 1967 ኣብ "ሽበቕ" ኣኬባ ድሕሪ ምግባሩ ኢዩ።[92]

ምቛም ሓሙሽይቲ ክፍሊ ከም ሓሳብ ብተበግሶ ላዕለዋይ ባይቶ ጥራይ ዝመጸ ዘይኮነስ፡ ካብ ከበሳ ዝተሰለፉ ተጋደልቲ ኣብ ሓማሴን እትነጥፍ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ንክትቐውም ብዘቅርብዎ ዝነበሩ ጠለብ እውን ኢዩ። እቲ ዝቐርብ ዝነበረ ሓሳብ ኣብ ሓማሴን ምትኳር ኣብ ኣሰመራ ንጥፈታት ሰውራ ንምምዕባል ሓጋዚ ኢዩ ካብ ዝብል ዝነቐለ ኢዩ ነይሩ። እታ ኣብ ሰራየን ኣኮለጉዛይን ተኸፉፊላ ዝነበረት ሳልሰይቲ ክፍሊ ከኣ፡ ኣብ ሓማሴን ኣድማዒ ስራሕ ክትፍጽም ዘይምካኣለት እዚ እውን ካብቲ ደረኽቲ ሮቛሒታት ኢዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ እቶም ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝምደቡ ዝነበሩ ሓደስቲ ተሰለፍቲ  መብዛሕትኦም ካብ ደቂ ኣሰመራን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ዓዲታትን ሰለዝነበሩ ናታቶም ምህላው ኣብቲ ቦታ ንህዝቢ ናብ መስርዕ ሰውራ ንምስሓብ ከም ዝሕግዝ ኢዮም ዝርእዩ ነይሮም። ከም መራሒ ናይታ ሓዳስ ክፍሊ ኮይኑ ዝተመዘዘ

---

[92] ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታ ደራሲ ምስዞም ዝስዕቡ ተጋደልቲ ኣብ ዝገበሮ ምይይጥ ዝተረኽበ ኢዩ።

- ንጉሰ ሕዝባይ (ሌተናንት ኮሎኔል) — መራሒ ጋንታ ኣብታ ክፍሊ
- ኣብርሃ ሃብተለ — መራሒ ጋንታ ኣብታ ክፍሊ
- ዓንደብርሃን ዓንደማርያም — ካብ ጋንታ መራሒ ክፍሊ
- ቀለተ ደሪዕ (ወዲ ደሪዕ) — ሓደ ካብ ተጋደልቲ እታ ክፍሊ

እዚ ድማ ኣብ ኣስመራ ብ12/8/2006 ተካይዱ። ኣብዚ ክትዕ እዚ ንዝቐረበ ሓሳብ ከም መወከሲ ክንጠቕስ እንተ ድኣ ደሊና ድማ ንምሕጻሩ "ክትዕ" ኢልና ከነቕርቦ ኢና።

- ኣቓውማ መሪሕነት ክፍሊ
- ወልዳይ ካሕሳይ መራሒ ክፍሊ፡ ወዲ 26 ዓመት ነይሩ። ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን ወረዳ ዓንሰባ "ደቂሽሓይ" ኣብ ዝተበህለ ዓዲ ተወሊዱ። መባእታ ደረጃ ኣብ ከረን ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ሚካኤል ተማሂሩ። ማእከላይ ደረጃ ኣብ ኣሰመራ ቤ/ትምህርቲ ኪዳነ ምህረት፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ካምቦኒ  ኣስመራ ተማሂሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ደቂሽሓይ ከም መምህር ሰሪሑ። ኣብ ሓምለ 1965 ኣብ ሰውራ ተሰሊፉ። (እዚ ሓበሬታ'ዚ ብ7/11/1967 ተሓቲማ ካብ ዝወጸት ጋዜጣ ሕብረት ዝተረኽበ ኢዩ።)
- ሕሻል ዑስማን ምክትል መራሒ ክፍሊ፡ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ነይሩ። ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ቅድሚ ምምጽኡ ሓደ ካብ ሓላፍቲ ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊ ነይሩ።
- ጊላይ ግርመይ ፖለቲካዊ ኮሚሽነር ክፍሊ፡ ኣብ 1965 ተሰሊፉ
- ዓብደልባቂ ተሓዝ ገንዘብ ክፍሊ

* እንተ መራሒቲ ጋንታታት

- ተኽላይ ጸጋይ
- ገብረሂወት ገብረስላሰ (ወዲ ሕምብርቲ)
- ኣብርሃ  ሃብተለ
- ብእምነት ሓጎስ (መራሒ ጋንታ ፋዳይን)
- በሲሪ መሓመድኖር
- ዓሊ ጅምዕ
- ንጉስ ሕዝባይ

ብዘይካ እዚ ናይ መሪሕነት ክፍሊ ጋንታ እውን ነይሩ።

*ወልዳይ ካሕሳይ እውን ሓደ ካብቶም ንምጃም ናይታ ክፍሊ ዝጠልቡ ዝነበሩ ምኳኑ ከኣ ይፍለጥ።*

*ሓሙሽይቲ ክፍሊ ስራሕ ክትጅምር ከላ፡ ካብ ኣርባዕቲኣን ክፍልታት ዝተዋጽኡ ኣስታት 400 ተጋደልቲ ነይሮማ። ካብ መንጎኦም ኣስታት 80 ክርስትያን ነይሮም። መብዛሕትኦም ከኣ ከምቲ ኣብቲ "ክትዕ" ዝተገልጸ ብዘይካ'ቶም ሓላፍቲ ኣብ ሹናት ዘይተመኮሩ ኢዮም ነይሮም። ካልኦት ሓደስቲ ተሰለፍቲ ድማ ካብ ክፍሊ ታዕሊም ተወሲኽምዎም። ከምቲ ኣብቲ "ክትዕ" ዝተገልጸ ድማ ነቲ ቀንዲ ዝምልከተና ጉዳይ ናይቲ ክፍሊን ሽግራቱን ብከምዚ ዝስዕብ ነቕርብ።*

***ኩነታት ህዝቢ ኣብቲ ክፍሊ፡*** *ህዝቢ ሓማሴን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣቀባብላኡ ንኣሃዱታት ሰውራ ተጸበኢ ኣይነበረን። ነዚ ድማ ክልተ ረጃሒታት ሓጊዞምዎ። ቀዳማይ፡ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ሜዳ ንጥፈታት ሰውራ ዝነበረ ምዕራባዊ ቆላታት ምትእስሳር ሰለዝነበሮ ምዕባለታት ሰውራን ዓወታቱን ይርዳእ ነይሩ። ካልኣይ፡ ብዘይካ ኣብ ዓዲተከሌዛንን እምባደርሆን ዕጡቓት ማሊሽ ዝነበርዎ፡ ካልእ ህዝቢ ናይ ጸላኢ ብረት ዓጢቁ ዘይምንባሩን ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ኣብቲ መራሕቲ ኣሃዱታት ደገፎም ንምርካብ ምስ ዓበይቲ ዓዲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ርክባት ካብቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣዕራብን እስላምን እናበለ ዝገልጾ ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ዝብገሰ ኣብ ባህርያት'ቲ ሰውራ ጥርጠረታት ነይሩዎም።*

***ግጥማት ምስ ጸላኢ፡*** *ናብ ሓማሴን ንምድያብ ዝግበር ዝነበረ ምድላዋት ኣሃዱታት ሰውራ ካብ ጠመተ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ስውር ኣይነበረን። ሰለዚ ከኣ ጸላኢ ኣሃዱታት ሰውራ ኣብ ከበሳ ምስ ተቐልቀላ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምጥፍኣን ውጥን ከዳሉ ዕድል ነይርዎ። ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ኣብ ምምካት ሓይልታት ሰውራ ዓቢ ተራ ክጻወት ዓቕሚ ሰለዘይነበሮ ከኣ፡ ኣብ ምምካት ኣሃዱታት ሰውራ ኣብ ሓይልታት ኮማንድስን ጦርሰራዊትን ማሊሻታቱን ተመርኮሰ።*

*እተን ኣሃዱታት ኣብቲ ቦታ ዝጸንሓሉ ግዜ ካብ ሓደ ወርሒ ዝሓልፎ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ካብቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዝተቀልቀላሉ እዋን ጀሚሩ፡ ምስ ጦርሰራዊትን ኮማንድስን በታ ፍሉጥ ጸላኢ ሰውራ ዝነበረ ሽቃ ጊለ ዝምራሕ ማሊሽ እምባደርሆን ኣብ* ***"ሽማንጉስ ታሕታይ"*** ***"ጒላ-ሓፈራ"*** ***"ደቂ ዓንዱ"*** ***"ደቂሽሓይን"*** ***"እምባደርሆ ታሕታይን"*** *ኣብ ተኸታታሊ ሹናት ኣተዋ። እተን ቀዳመይቲ ምስ ጦርሰራዊት ካልኣይቲ ከኣ ምስ ኮማንድስ ዝተኻየዳ ሹናት* ***"ጒላ-ሓፈራን"*** ***"ሽማንጉስን"*** *ብፍላይ ነፍሲ ወከፈን ምሉእ መዓልቲ ዝቐጸለት ብርቱዓት ኢየን ነይረን።*

*ኣሃዱታት ሰውራ ኣብቲ ቦታ ክትከላ ሰለዘይከኣላ ድማ ኣብ ወርሒ ግንቦት ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ከዝልቃ ተገዲደን።*

***ናይ ዘይምውህሃድን ምትሕግጋዝን ሽግራት፡*** *እቲ ንሳልሰይቲ ክፍሊ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ብዙሕ ዘሳቐየ ኣብ መንጎ ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝነበረ ናይ ዘይምውህሃድ ኩነታት፡ እታ ሓዳስ ዝቖመት ሓሙሽይቲ ክፍሊ እውን ኣይተገላገለቱሉን። ካብተን ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ከም ራብዓይቲን ቀዳመይቲን ክፍልታት ዝኾነ ክጥቀስ ዝከኣል ምትሕግጋዝ ኣይረኸበትን። ሰለዚ ከኣ ናብኣታተን ከተዝልቕ ተገዲዳ። ይኹን'ምበር መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኩነታት ናይታ ክፍሊ ይርዳእ ከምዝነበረን ሹናት ምስ በርትዐ እውን ገለ ኣሃዱታት ንሓገዝ ከም ዝለኣኸን፡ ብዘይካ'ዚ እውን ብስሩዕ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ይገብረላ ምንባሩን ኣብቲ "ክትዕ" ተጠቒሱ። ብሰንኪ ምውህሃድ ዘይምንባሩ ከኣ እታ ክፍሊ ንበይና እሞ ከኣ ኣብ ውሽጢ ጽንኩር ኩነታት ንጸላኢ ኣብ ውሻጠኡ ገጢማቶ።*

ኣብ ከሰላ ዝነበረ ሰውራዊ መሪሕነት እውን እንተኾነ ንጽንዓት ናይታ ክፍሊ ንምሕጋዝ ብዘይካ ሳሕቲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ፡ እዚ'ውን እንተኽኢሉ፡ ምሃብ ካልእ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ኣይነበረን። እንተ'ቲ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ትደልዩ ዝነበረት ወተሃደራዊ ምውህሃድ ምስ ካልኦት ክፍልታትን ኣብ ናይ ሓባር እስትራተጂ ዝተመርኮሰ ምትሕግጋዝን ግን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኢዩ ነይሩ። እቲ ምኽንያት ከኣ ካብ ሜዳ ፍጻሜታት ሰለዝረሓቐ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ነቶም ቀስብቀስ ክርሕቅዎ ዝጀመሩ መራሕቲ ክፍልታት ክቆጻጸሮም ሰለዘይክእል እውን ኢዩ።

ብሰንኪ'ዚ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ንበይና ዝገጠመቶ ጽንኩር ኩነታት፡ ሓለፍቲ ናይታ ክፍሊ ኣብ መፋርቕ ናይቲ ዓመት'ቲ ዘጋጠሞም ተነጽሎ ክስምዮም ጀመረ፡ ተጋደልቲ እውን ብዝተፈላለየ ኣገባባት፡ ሓደ ካብኡ ዕድል ክረኽቡ ከለው ነታ ክፍሊ ብምግዳፍ፡ ተቓውምኦም ይገልጹ ነይሮም።

## ምስላም መራሒ ክፍሊ ንጸላኢን ሳዕቤናቱን

እታ ክፍሊ ኣብ ከምዚ ዝተጠቕሰ ጽንኩር ኩነታት እንከላ፡ መራሒ ክፍሊ ብዛዕባ ሽግር ናይታ ክፍሊ ንሰውራዊ መሪሕነት ንምግላጽን ፍታሕ ንምርካብን ብዝብል ምስምስ ንከሰላ ክኸይድ ወሰነ። ብሰንኪ'ቲ ጸላኢ ኣንጻር'ቲ ክፍሊ ዘካየዶ መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ዘመተ ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ መብዛሕትኦን ኣሃዱታት ናይታ ክፍሊ ኣዝሊቖን ኣብቲ ራብዓይቲ ክፍሊ እትቆጻጸሮ ሰሜናዊ ባሕርን ካብኡ ንወገን ምብራቕ ዘሎ ጎላጉልን እየን ነይረን። ገለ ነቲ ጉዳይ ዝገለጽሎም መራሕቲ ጋንታታት ከኣ ንሓሳባቱ ተቓወምዎ። ብፍላይ ነቲ ክሳብ ንሰውራዊ መራሕነት ረኺቡ ዝምለሶም፡ እተን ኣሃዱታት ናብቲ ካልኣይቲ ክፍሊ እትቆጻጸሮ "ደብረሳላ" ንኽዝልቓ ዝሃቦ ትእዛዝ ኣይተቐበልዎን። ተቓውሞ መራሕቲ ጋንታታት ከምኒ ንጉሰ ሕዝበይን ኣብርሃ ሃብተለን ከኣ ኣብ ከምዚ ጽንኩር ኩነታት ኣሞ ኸኣ እተን ኣሃዱታት ኣብ ናይ ካልእ ክፍሊ ቦታ እንከለዋ መራሒ ክፍሊ ገዲፉወን ክኸይድ ቅኑዕ ኣይኮነን ካብ ዝብል እምነት ኢዩ ዝብገስ። እንተኾነ ግን መራሒ ክፍሊ ኣብ ርእይቶኡ ብምጽናዕ፡ ንዝወሰኖ ንምትግባር ኣብ ኣጋ መወዳእታ ሓምለ 1967 ንከሰላ ከደ።

መራሒ ክፍሊ ንእግረ መገዱ ኣብ ኣዝማዱ ዝርከብዎ ዓዲ "ዋስደንባ" ሓማሴን ኣሳገሱ። ኣብኡ ከኣ ካብ ደቂ'ቲ ዓዲ ብዛዕባ ቅትለት ሓረስቶት ዓንሰባ ኣብ ጋሻ ተሓበረ። ካብኡ ንከሰላ ብምኽድ ምስ ሰውራዊ መሪሕነት ተራኸበ። ካብኡ ድማ ላዕለዋይ ባይቶ ንምርካብ ንካርቱም ከደ። ኣብ ካርቱም ከኣ 19 ሰባት ገሊኦም ተጋደልቲ መብዛሕትኦም ግን ሲቪል ሒዙ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ንኢምባሲ ኢትዮጵያ ኢዱ ሂቡ።

ቅድሚ ንሱ ምስላሙ 19 ተጋደልቲ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ንቆንሰል ኢትዮጵያ ኣብ ከሰላ ኢዶም ሂቦም ነይሮም። ኩሎም'ቶም ንጸላኢ ኢዶም ዝሃቡ ከኣ፡ ብዘይካ ሓደ ሙሴ ተስፋሚካኤል ዝተባህለ ኣብ ክፍሊ ዜና ሰውራዊ መሪሕነት ዝነበረ ካብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኢዮም ነይሮም።[93]

ኣብ ከባቢ ወርሒ መስከረም ማለት መራሒ ክፍሊ ንጸላኢ ኢዱ ቅድሚ ምሃቡ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዕግርግ ተፈጢሩ፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ፖለቲካዊ ኮመሽነር ናይቲ ክፍሊ ጊላይ ግርማይ ዝርከቦም ካብ 20 ክሳብ 30 ዝባጽሑ ተጋደልትን ሓለፍትን ተቐቲሎም።

---

[93] ጸብጻብ ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ነሓሰ 1967

እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ ውሽጢ ውድብ ሓያል ምንቅናቕን መሰል ተግባርን ክፈጥር ባህርያዊ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ኩነታት መሊሱ ዘጋደዶ ከኣ፡ መብዛሕትኦም'ቶም ኣብ ሱዳን ንጸላኢ ኢዶም ዝሃቡ ይኹኑ ኣብ ሜዳ ዝተቐተሉ ተጋደልቲ፡ እቶም ቅድሚ ክልተ ዓመት ናይቲ ፍጻመ ናብ ሰውራ ዝተሰለፉ ክርስትያን ባእታታት ምንባሮም ኢዩ።

- ኣብ ሜዳ ኩነታት ሓሙሽይቲ ክፍሊ ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ካብ መጠን ዝሓለፈ ኢዩ ኣንቀሊቐሉ። ምትእስሳር ኣሃዱታት ላሕሊሑ። ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ብሓደ ወገን ኣብ መንጎ ተጋደልቲን ላዕለዎት ሓላፍቲን ብካልእ ወገን ምትእምማን ጠፊኡ፡ ብሰንኪ እዚ ኩነታት እዚ ብዙሕ ህድማ ተራእየ። እቲ ብድሕሪ ምክትል መራሒ ክፍሊ ሕሻል ዑስማን ብካልኣይ ደረጃ ዝሰራዕ ዑስማን ቲናይ ንገዛእ ርእሱ ከይተረፈ ካብቶም ዝሃደሙ ኮነ። ካብኡ ንድሓር ናብ ሜዳ ኣይተመልሰን። ዝተረፉ ኣሃዱታት ናይቲ ክፍሊ ድሕሪ'ቲ ዘጋጠመን ኩነታት ኣብቲ ክፍሊ ዝኾነ ስራሕ ከካይዳ ሰለዘይከኣላ፡ ክሳብ መሪሕነት ውድብ ገለ ፍታሕ ዝገብር ኩለን ናብ ካልኣይቲ ክፍሊ ተመሊሰን ተጸበያ።
- እንተ ኣብ ሱዳን፡ መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ናብ ጸላኢ ምስ ሰለመ፡ ማዕከናት ዜና ሱዳን ብሰፊሑ ሰለዘቃልሕኦን እምበሰደር ኢትዮጵያ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታቱ ሰለዝመዝመዞን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ውድብ ብርቱዕ ነውጺ ተፈጢሩ ኢዩ። ንሞራል ኣባላት ተ.ሓ.ኤን ፈተውቲ ሰውራ ከይተረፈ ተንኪፉ። ሰውራዊ መሪሕነት ንመራሒ ናይታ ክፍሊ ሃገራዊ ጥልመት ፈጺሙ ብምባል፡ ነቲ ዝገደፎ ኣሉታዊ ኣሰር ንምቁጽጻር'ኳ እንተፈተነ፡ ሽግራት ሰውራ ንምፍታሕ ኣብ ዓቕሚ መሪሕነት ውድብ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ዓቢ ጥርጣረ ሰፊኑ። እቲ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ከሰላ ዘጋጠመ ምስላም ተጋደልቲ ናብ ጸላኢ ዝፈጠሮ ነውጺ ኣቃሊልካ ዘይርኣ'ኳ እንተዘይኾነ፡ ከምቲ ቀጺልና እንገልጾ ሰበ ስልጣን ከሰላ ንኣብያተ ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ ዝዓጸውሉን ንገለ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ዝኣሰርሉን ንገለ ከኣ ናብ ካርቱም ዝሰጎጉሉን እዋን ብምንባሩ ኣብ መንፈስ ኣባላት ዝያዳ ኣሻቃሊ ዝነበረ እቲ ናይ መንግስቲ ሱዳን ተጸባኢ መረገጺ ኢዩ ነይሩ።
- እንተ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ እቲ ናይ ተጋደልቲ ምስላም፡ ጸላኢ ብዛዕባ ቅትለት ሓረስቶት ኣብ ጋሽን ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተገብረ ቅትለትን ምስ ዘርገሐ፡ ነቲ ኣብ ዋና ከተማ ኣሰመራን ከበሳ ብሓፈሻኡን ንረብሓ ሰውራ ዝምዕብል ዝነበረ ኣወንታዊ ኩነታት ፍጹም ደምሲሱዎ ኢዩ። ዝርዝር ናይቲ ፍጻሜታት ምስ ተገለጸ ከኣ፡ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ነቲ ንነዊሕ ዝሓለምዎ ምዕጣቅ ህዝቢ ብዝሰፈሐ መልክዕ ንምትግባር ዝመዝመዝዎ ቅልጡፍ ናይ ተጻብኦ ሃዋህው ተፈጢሩ። ጸላኢ ብኣሽሓት ህዝቢ ንምዕጣቅ ዝተዓወተሉ ግዜ ከኣ ኢዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ህዝቢ ብዝቐጸለ ገለ ዓመታት ንግስጋሰ ኣሃዱታት ናብ ከበሳ ሓያል ዕርዲ ኮይኑ ዓጊቱዎ።

## መሰረታዊ ሓበሬታታት

ነቲ ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት ንሓሙሽይቲ ክፍሊ ዘጋጠመ ፍጻመ ብቕኑዕ መገዲ ወይ ኣገባብ ከተቕርቦ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ዕማም ኢዩ። ነቲ ጉዳይ ኣሸጋሪ ዝገብሮ ከኣ፡ ክልተ ሮቛሒታት ኣሎ። ቀዳማይ እቲ ዘጋጠመ ፍጻመታት ንባዕሉ ዓቢ ፍጻመመታት ኢዩ። ንሓርነት ሃገሮም ክቃለሱ ዝወጹ ዓሰርተርተታት ተጋደልቲ ብናጻ ድሌቶም ንጸላኢ ኢዶም ክህቡ ከለው፡ ከምኡውን ካልኦት ዓሰርተታት ክቕተሉ ከለው፡ ውዱእ ፍርዲ ክትህበሉ እትኽእል ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ብዘይካ'ዚ ድማ ነቲ ፍጻመ

ዝፈትሓ ሰነዳት ከይሓዝካ ካብ እንተታት ናጻ ክኸውን ዘይክእል ካብ ዝስማዕካዮ ሓበሬታ ጥራይ ተበጊስካ ፍርዲ ክትህብ ኣሸጋሪ ኢዩ። ይኹን'ምበር ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘይገድስ ነዚ ፍጻመታት'ዚ ከቃልዕ ዝኽእል ገለ ሰነዳት ምስ ውልቀ ሰባት ክህሉ ከም ዝኽእል ኣይንጠራጠርን። ሰለዚ ከኣ ዕማምና ኣብዚ ፍጻመታት'ዚ ውዱእን ናይ መጨረሽታ ፍርዲን ምሃብ ዘይኮነስ፡ ብዝተኻእለ መጠን ክንረኽቦ ዝኸኣልና ሓበሬታታት ኣብ ምቕራብን ክእረምን ከመሓየሽን ዝኽእል ሓፈሻዊ ግምታት ኣብ ምሃብን ዝተሓጽረ ኢዩ።

ብናይ ግዜ መቃን ክንጅምር፡ ነቲ ዘቅራብናዩ ፍጻሜታት ዕለታቱ ምርግጋጽ ማለት ኢዩ። ነቲ ፍጻመታትን ጠንቂታቱን ንምርዳእ ዕለት ኣገዳስነት ኣለዎ።

- እቶም ኣብ ቆንስል ኢትዮጵያ ኣብ ከሰላ (ነሓሰ 1967) ኢዶም ዝሃቡ 19 ተጋደልቲ ዝሰለመሉ ዕለት ብዝምልከት፡ ካብታ ብ29-8-1967 ተሓቲማ ዝወጸት ገለ ካብኣታቶም እውን ኣሰመራ ምስ ኣተው ምስኣ ቃለ መጠይቅ ዝገበሩ ጋዜጣ "ሕብረት"ን እቲ ጸኒሕና እንርእዮ ጸብጻብ ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ላዕለዋይ ባይቶን ኢና ረኺብናዮ።
- ምስላም መራሒ ክፍሊ ኣብ ጥቅምቲ ምዃኑ እውን ካብ ናይ ዕለት 7-11-1967 ሕታም ጋዜጣ ሕብረት ዝረኸብናዮ ኢዩ።
- ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተፈጸመ ቅትለት (መስከረም) ዝብል ዕለት ድማ ካብቲ መራሒ ክፍሊ ኣብ ኣስመራ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺን ጋዜጣ ሕብረት ኣብ ናይ 7-11-1967 ሕታማ ዘሰፈረቶን ዘውጸእናዮ ኢዩ።

እዚ ብዛዕባ ዕለታት ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታታት ከኣ፡ ነዚ ዝሰዕብ ክሕብረና ይኽእል።

- ምስላም ጉጅለ ከሰላ፡ ቅድሚ ምስላም መራሒ ክፍሊ ብክልተ ወርሒ፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ ሜዳ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝተፈጸመ ቅትለታት ድማ ብሓደ ወርሒ ኢዩ ተፈጺሙ።
- መራሒ ክፍሊ ቅድሚ ናብ ጸላኢ ኢዱ ምሃቡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሜዳ ዝተገብረ ናይ ቅትለት ፍጻሜታት ድሮ ፈሊጥዎ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ጋዜጣዊ መግለጺኡ ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ብዝርዝር ኣቕሪቡ ኢዩ። ንሱ "25 **ክርስትያን፡ 7 ጀበርቲ፡ 6 ዓሳውርታ**" ከም ዝተቐትሉ ሓቢሩ። ቅድሚ'ዚ ጉጅለ ከሰላ ናብ ጸላኢ ኢደም ከምዝሃቡ ክፈልጥ ከኣ ግድን ኢዩ።

ከምኡውን መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሓምለ ወይ ከኣ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ነሓሰ ናብ ከሰላ ከም ዝኣተወ ኣረጋጊጽና። ምኽንያቱ ገለ ካብ ጉጅለ ከሰላ ድሕሪኡ ናብ ሱዳን ዝኣተው ነይሮም ኢዩም።

## መራሒ ክፍሊ ኢዱ ንኽህብ ዝደረኾ እንታይ'ዩ?

ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ናብ ወርሒ ሰነ ናይቲ ዓመት'ቲ (1967) ክንምለስ ኣሎና። ኣብቲ ወርሒ'ቲ ንጉስ ሃይለስላሰ "**ንካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ኢዶም ሂቦም ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከም ተራ ዜጋታት ንኽነብሩ ዘፍቅድ**" ናይ ምሕረት ውሳነ ኣውጺኡ ነይሩ።

ነዚ ውሳነ'ዚ ንምትግባር ከኣ ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኣስራተ ካሳን ምክትሉ ተስፋዮውሃንስ በርሀን ኣብ "**ቤተ መንግስቲ ኣስመራ**" ብ17-6-1967 ኣኼባ ኣካየዱ። ኣብቲ ኣኼባ ኣሰራተ ካሳ ናይ ምሕረት ውሳነ ንጉስ ሃይለስላሰ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጹ። "**ላዕለዎት መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ብዘቅረብዎ ልመና መሰረት ዝኸበሩ ግርማዊ ነዞም ናይ ወጻኢ ኢድ ውጥናት ንምትግባር ኣንጻር ሃገር**

ዝሰርሑ ዘለው ካብ ሕጊ ዝወጹ ባእታታት ሓፈሻዊ ምሕረት ገይሮም ኣለው” ኢሉ። ቀጺሉ ጠቅላሊ ኣመሓዳሪ ኤርትራ እቶም ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ልምንኦም “ውሳነ ሓፋሻዊ ምሕረት ምስ ወጸ፣ ምስቶም ካብ ሕጊ ዝወጹ ሰባት ብምርኻብ ኢዶም ንኽህቡ ንምዕጋቦም ክሰርሑ ምኳኖም ገሊጾም።“ ክብል ሓቢሩ። ኣብቲ ኣኼባ ኣሰራተ ካሳ ንኣኼበኛታት ምስኣታቶም እትራኽብ ኮሚተ ከቑሙ ኣዘኻኺሩ።[94]

ኣብ ካልእ ብ30-6-1967 ብኣቦ መንበርነት ኣስራተ ካሳ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ድማ “ናብ ኩለን ኣውራጃታት እትንቀሳቐስ” 35 ኣባላት ዘለዋ ኮሚተ ቆመት። ኣብቲ ኣኼባ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ነታ ኮሚተ ካብ ዕለት 3-7-1967 ስራሐ ክትጅምር ማዓዳ።

ብድሕሪ'ዚ እታ ኮሚተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ወገናት ዝሽይድ ጉጅለ ክትምደብ ከላ፣ ካልእ ብኣቦ መንበር ናይታ ኮሚተ ዝምራሕ ጉጅለ ድማ ንስውራዊ መሪሕነት ንምርካብ ናብ ከተማ ከሰላ ሱዳን ተጓዕዘ።

ሰውራዊ መሪሕነት ንኣባላት ናይታ ኮሚተ ንጥፈታቶም ከይቓጽሉን ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ምስ ሓለፍቲ ተ.ሓ.ኤ. ከይራኽቡን ሰለዘጠንቃቐዎም ክጥቐስ ዝከኣል ውጽኢት ኣየረጋገጹን። ከምኡውን ኣርባዕተ ካብ መራሕቲ ክፍልታት ንምርካባ ነጺጎም።

ኣብዚ ዘገድሰና ግን እታ ኮሚተ ምስ መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ወልደይ ካሕሳይ ዝገበረቶ ርክብ ኢዩ። ወልዳይ ምስታ ኮሚተ ክልተ ግዜ ተራኺቡ።
ቀዳማይ ርክቡ ኣብ “**ድርፎ**” ካልኣይ ከኣ ኣብ “**ፍልፍል**” ኣብ ክልቲኡ ርክባት ከኣ ንበይኑ ኢዩ ተራኺቡዋ።[95] ኣብ ክልቲኡ ርክባት እንታይ ከምዝተዘራረቡ እውን ዝፍለጥ ነገር የለን።

ንጉሰ ሕዝባይን ኣብርሃ ሃብተለን፣ ወልዳይ ምስ መጾም ኣብ ክልቲኡ ርክባት እንታይ ከም ዝተመያየጡ ንምፍላጥ ከምዝሓተትዎ፣ ንሱ ከኣ እታ ኮሚተ ነቲ ሰውራ ንምሕጋዝ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን ንምፍላጥ ከም ዝሓተትዎ ምስ ገለጸሎም፣ እንታይ መልሲ እሞ ሂብካዮም? ምስ በልዎ ከኣ፣ እወ ቅኑዕ ኢዩ ኢለዮም ክብል ከም ዝመለሰኣሎም ኣብቲ ዝተኻየደ “ክትዕ” ሓቢሮም። ኣብ መንጎ'ቲ ዝርርቦም ከኣ ወልዳይ “**ምናልባት ናብ ኢትዮጵያ ምምላስ፣ ጸጋይ ገብረመድህን ዝወሰዶ ምርጫ ካብዚ ንሕና ዘሎናዮ፣ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል ኢዩ**”።[96] ክብል ከም ዝተዛረበ፣ ቀጺሉ ከኣ “**እንተ ድኣ ተመሊስና ናይ ካፕተን መዓርግ ዶ ክንረከብ ኣይንኽእልን?**” ከም ዝበለ፣ ክልቲኦም መራሕቲ ጋንታታት “**እንታይ ማለትካ ኢዩ?**” ምስ በልዎ ሽኣ፣ ወልዳይ ንዘረባኡ ናብ ጭርቃን ከምዝለወጠ ገሊጾም።

ወልዳይ ካሕሳይ ድሕሪ'ቲ ክትዕ ናብ ከሰላ ክኸይድ ምኳኑ ምስ ገለጸሎም ከኣ፣ እቶም መራሕቲ ጋንታታት ተቓዊሞም። ኣብ ርእይቶኡ ምስ ጸንዐ ድማ ኣብቲ ዝወሰነሎም ከባቢ ክጽበዩ ከምዘይክእሉ ብምሕባር፣ ንሳቶም እውን ንከሰላ ክኸዱ ምኳኖም ገለጽሉ። ብልክዕ ከኣ ድሕሪ ገለ መዓልታት ንከሰላ ከዱ።

---

[94] ጋዜጣ ሕብረት 20-6-1967

[95] ሓደ ካብ ኣባላት ጋንታ መራሒ ክፍሊ ዝነበረ ዓንደበርሃን ዓንደማርያም ኣብቲ ምስቶም ካብ ኣሰመራ ዝመጹ “ዓበይቲ ዓዲ” ዝበሎም ርክባት ዝተኻየደሉ ክልተ ቦታታት ከም ዝነበረ ኣብቲ “ክትዕ” ተገሊጹ። ይኹን'ምበር እቶም ዝተራኸቦዎ ኣባላት ናይ ምሕረት ኮሚተ ምንባሮም እቲ ዕለታት የረገግጽ'ዩ።

[96] ጸጋይ ገብረመድህን ኣብ ሰራዊት ሱዳን ሰሪሑ። ክሳብ ናይ ምክትል ተለንተ መዓርግ በጺሑ። ኣብ 1965 ኣብ ሰውራ ተሰሊፉ። ኣብ ሜዳ ብምእታው ከኣ ንሓደ ዙር ናይ ተጋደልቲ ታዕሊም ኣሰልጢኑ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ድማ ናብ ሱዳን ተመሊሱ። ኣብ ካርቱም ከኣ ግንቦት 1967 ንኢምባሲ ኢትዮጵያ ኢዱ ሂቡ። ኣብ ኣሰመራ ዓቢ ኣቐባብላ ተገይርሉ። ምስኡ ከኣ ጋዜጣዊ ርክባት ተፈጺሙ።

* * *

ካልኣይ ፍጻመ ኣብታ ንከሰላ እናኸደ ከሎ ዘላገሰላ ኣዝማዱ ዝርከብዋ ዓዲ "ዋስደንባ" ዝተፈጸመ ኢዩ። ኣብ ዋሰደንባ ደቂ ከባቢኡ ዝኾኑ ሓረስቶት ኣብ ጋሽ ቅድሚ ገለ መዓልታት ከምዝተቐትሉ ተሓበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስኡ ዝነበሩ ቀለተ ደሪዕን ዓንደብርሃን ዓንደማርያምን፡ ወልዳይ ንነዊሕ ሰዓታት ምስ ዓበይቲ ዓዲ ዝርርብ ከምዝገበረ፡ ንሳቶም በቲ ኩናታት ተጠራጢሮም ዘይተጸበይዎ ሓደጋ ከይወድቆም ሰለዝፈርሑ ከኣ ካብቲ ዓዲ ወጺኦም ከምዝተጸበይዎ ገሊጾም። ወልዳይ ምስ ተመልሶም ካብቲ ዝስመዖ ኣመና ሓሪቑ ከምዝነበረን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሕርቃኑ ይገልጽ ምንባሩን ሓቢሮም።

* * *

ኣብ ከሰላ፡ ወልዳይ ብዛዕባ ሽግር ክፍሉን ኣብ ጋሽ ዝተፈጸመን ንሰውራዊ መሪሕነት ብምግላጽ መሰረታዊ ፍታሕ ክግበረሉ ጠሊቡ። ወልዳይ በቲ ካብቶም ዝተራኸቦም መራሕቲ ዝተዋህቦ መልሲ፡ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ቅትለት ሓረስቶት ኣብ ጋሽ ዕጉብ ከም ዘይነበረን ነቲ ብወገን ሰውራዊ መሪሕነት ዝቐረበ መልሲ ከም ውዲት ምስቶም ገበነኛታት ከምዝቆጸሮን ምስኡ ንከሰላ ዝኸደ ዓንደብርሃን ኣብቲ "ክትዕ" ሓቢሩ።

* * *

ወልዳይ ላዕለዋይ ባይቶ ንምርካብ ናብ ካርቱም ከይዱ። ኣብ ካርቱም ከሎ ከኣ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ ሃንደበታዊ ምዕበላ ኣብ ከሰላ ተፈጢሩ። ሰበ ስልጣን ሱዳን ኣብ ከሰላን ኣብ ዶብ እትርከብ "ሓፈራ" ዝተባህለት ዓድን ዝርከብ ኣብያተ ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ ሰፊሕ ፍተሻ ኣካይዶምሉ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ሽሞንተ ብረት መሳርሒታት ጽሕፈት፡ ካሚራታትን ናይ ሕትመት መሳርሒታትን ወሲደም። ኣብ ዓዲ "ሓፈራ" ወልዳይ ንከሰላ ክኣቱ ከሎ ዝገደፎ ኣርባዕተ ብረት ከኣ ወሲደምዎ። ወልዳይ ምስቲ ብረት 12 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ ከም ዝገደፈ እውን ዓንደብርሃን ሓቢሩ። እንተኾነ ግን እዚ ሓበሬታ'ዚ ሓቅነት ዘለዎ ኣይመሰልን። ምኽንያቱ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ከሰላን ሓፈራን ንዝጋጠመ ፍጻመ ኣመልኪቱ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ፡ ሰበ ስልጣን ሱዳን ኣብ ኻዝንኡ ዝነበረ 1700 ጅኔ ሱዳንን 3000 ብር ኢትዮጵያን ከምዝወሰዱ ኢዩ ገሊጹ። ነቲ ዓንደብርሃን ዝገለጾ ገንዘብ[97] ግን ኣይጠቐሰን። እቲ ጉዳይ ተፈጺሙ ነይሩ እንተዝኸውን ከይጠቐሰ ኣይምሓለፎን ነይሩ። ወልዳይ ንከሰላ ቅድሚ ምኻዱ ንመራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ከምዝረኸቦን ነቲ ዑመር እዛዝ ብስሩዕ ዝህቦ ዝነበረ ወርሓዊ መሳረፍ ናይ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ከምዝሃቦን ከኣ ሓምድ ጅምዕ ሓዞት[98] ገሊጹ።

---

[97] ጸብጻብ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ (ኵናት ኤርትራ) ዝብል መጽሓፍ ዑስማን ደንደን ገጽ 169 ተወከሰ፡

[98] ምስ ደራሲ ብ7/9/2005 ኣብ ኣሰመራ ኣብ ዝገበሮ ርክብ። ሓምድ ጅምዕ ሓደ ካብ ሓላፍቲ ፋዳይን ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊ ነይሩ።

ወልዳይ ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከሎ ከኣ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ነሓሰ 19 ተጋደልቲ ንቆንስል ኢትዮጵያ ኣብ ከሰላ ኢዶም ሂቦም። ብድሕሪ'ዚ ድማ እቲ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዘጋጠመ ቅትለታት ኣብ ወርሒ መስከረም ስዒቡ።

ብድሕሪ'ዚ ወልዳይ ናብ ኢምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ካርቱም ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኢዱ ብምሃብ ናብ ኣስመራ ከደ።

ሕጂ ጉጅለ 19 ኣብ ከሰላ ኢዶም ንኸህቡ ዝደረኾም ምኽንያታትን ኣብ ሜዳ ኣብ ልዕሊ ተጋዳልቲ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተፈጸመ ጉዳይ ቅትለትን ቅድሚ ምርኣይና። ብመሰረት'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሓበሬታታት መራሒ ክፍሊ ወልዳይ ካሕሳይ ኢዱ ንኸህብ ዝደረኾ ሓቐኛ ምኽንያታት እንታይ ምዃኑ ንርኣ።

ናይ ወልዳይ ጥልመት ወይ ከኣ እንተ ወሓደ ኢዱ ንምሃብ ምሕሳቡ ካብቲ ምስ ኮሚተ ምሕረት ዝገበሮ ክልተ ርክባት ኢዩ ዝጅምር ዝብል ብርቱዕ ጥርጣረታት ኣሎ። ብድሕሪኡ ከም ጭርቃን ኣምሲሉ ዝተዛረቦ እውን ንመንፈስ ናይቶም ንዝተዛረቦም ንምግምጋም ዝተጠቕመሉ ሜላ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ዋላ እኳ ኣብ ከምዚ ጭቡጥ መርትዖታት ዘይብሉ ጉዳይ ውዱእ ፍርዲ ክትህብ ኣሸጋሪ እንተኾነ፡ ምስታ ኮሚተ ክልተ ግዜ ምርኻቡ ንባዕሉ ኣብ ጥርጣረ ዘእትዎ ኢዩ። ከምኡውን ድሕሪ'ቲ ርክብ ብቐጥታ ከም ጭርቃን ኣምሲሉ ንመራሕቲ ክልተ ጋንታታት ዝበሎን ንከሰላ ክኸይድ ምውሳኑን ካብቲ ምስታ ናይ ምሕረት ኮሚተ ዘካየዶ ክልተ ርክባትን ውጽኢቱ ዘይምሕባሩን ፈሊኻ ዝርኣ ኣይኮነን።

መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ምስ ናይ ምሕረት ኮሚተ ድሕሪ ምርኻቡ ዘጋጠመ ፍጻሜታት፡ መቕተልቲ ሓረስቶት ሽምባረን ካብቶም ኣብ ከሰላ ኢዶም ዝሃቡ 19 ተጋደልቲ 18 ካብ ክፍሊ ምዃኖምን፡ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ክፍሉ ዝርከቡ ተጋደልቲ ብሞት ምቕጽዖምን ምስምዑ፡ ኩሉ'ዚ ብርግጽ ንወልዳይ ብርቱዕ ጸቕጢ ዝፈጠረሉ ዓቢ ፍጻሜታት ኢዩ ነይሩ። ምናልባት እውን ነቲ ኣብቲ ምስ ናይ መሕረት ኮሚተ ዝገበሮ ክልተ ርክባት ዝተዘርአ ናይ ምስላም ብቑሊ ኣደልዲሉዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ግምትና ሓቂ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ መራሒ ክፍሊ ወልዳይ ዋላ'ኳ ምስ ናይ ምሕረት ኮሚተ ድሕሪ ምርኻቡ ኣብቲ ጉዳይ ብዕቱብ ክሓስብ እንተ ጀመረ፡ ኣብ ሱዳን ኢዱ ክህብ ግን ወሲኑ ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ምናልባት ናብ ሜዳ ተመሊሱ ንቦትኡ ኣብ ኣረኣእያ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ክብ ንምባል ብርክት ዝበሉ ዕጥቓት ተጋደልቲ ሒዙ ኢዱ ክህብ መደብ ነይሩዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ክልተ ግዜ ምስኡ ርክባት ምክያድ ከኣ ተገዳስነት ኢትዮጵያ ኣብኡ ኢዩ ዝርኢ። እቲ ካልኣይ ርክብ ድሕሪ'ቲ እታ ኮሚተ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ርክብ ዝተበጽሐ ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣስመራ ምምይያጣ ምክያዱ ከኣ፡ እቲ ካልኣይ ርክብ ዝግበረሉ መብጽዓታት ንምሕባር ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ናብቲ ምስኡ ርክባት ዝካየደሉ ከባቢታት ከይንቀሳቐስ ተኸልኪሉ ከምዝነበረ ከኣ ኣብቲ "ክትዕ" ዓንደብርሃን ገሊጹ። እዚ ዝበልናዮ ሓቂ እንተድኣ ኮይኑ ድማ፡ እቲ ኣብ ከሰላ ዝተፈጸመ ምስላማትን ኣብ ሜዳ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝተኻየደ ቅትለታትን ብዘይ ጥርጥር ናብ ሜዳ ናይ ምምላሱ ኣፍደገ ብምዕጻው ጥራይ ኢዱ ናብ ኣስመራ ኣብ ክንዲ ዝምለስ ገለ ሲቭል ኣኪቡ ናብ ጸላኢ ኢዱ ንኸህብ ኣገዲዱዎ ኢዩ።

## ጉጅለ ከሰላ ከ ኢዶም ንኸህቡ ዝደረኾም እንታይ'ዩ?

ጉጅለ 19 ናብ ቆንስል ኢትዮጵያ ኣብ ከሰላ ኢዶም ዝሃብሉ እዋን፡ ሰውራዊ መሪሕነት ምስ ሰበ ስልጣን ከሰላ እቲ ዝጸንከረ ፈተነ ዝሕልፈሉ ዝነበረ ግዜ'ዩ ነይሩ።

ካብዚ ቀጺልና እምበኣር፡ ብዛዕባ ናይቲ ፍጻመ ዝርዝራት ዝገልጽ ጽማቕ ጸብጻብ ናይቲ ሰውራዊ መርሕነት ናብ ላዕለዎይ ባይቶ ዘሕለፎ ነቕርብ።

- ብዛዕባ እቲ ፍጻሜታት እቲ ጸብጻብ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡

**"ሰበ ስልጣን ሱዳን ብ12-8-1967 ገዛውቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ከሰላን ሓፈራን ፈቲሹ። ብረታትን (ኣብ ዝሓለፈ ኣርእስቲ ዝጠቐስናዮ) መሰርሒታትን ከኣ ወሲዱ።**

**ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ከኣ ሰበ ስልጣን ከሰላ ብዙሓት ተጋደልትን ኣባላት ተ.ሓ.ኤን ኣሲሮም። ንገሊኦም ብገንዘብ ቀጺዖም ክፍንውዎም ከለው፡ ዝተረፉ ከኣ ናብ ፍርዲ ንምቅራቦም ገና ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣለው። እቲ ናይ ምእሳር መሰርሕ ከኣ ገና ይቕጽል ኣሎ።"**

- ብዛዕባ ጠንቂ ኣመልኪቱ፡ እቲ ጸብጻብ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡

**"ሰበ ስልጣን ፖሊስ ዘቕርብዎ ክሲ** 1. **ኣብ ምዕራብ ጋሽ ዝተፈጸ ምቅጻል በንዚን ሓለፍነቱ ዝሰከም ተ.ሓ.ኤ ኢዩ።**[99] 2. **ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ፍልልያት ንምዕማቑ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ጻይቒ ይፍጽሙ ኣለው።** 3. **ገለ ኣባላት መሪሕነት ነቲ ሰበ ስልጣን ከሰላ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ካብ ከሰላ ንኽወጹ ዘማሓላለፍዎ ትእዛዝ ነጺጎምዎ።** 4. **ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ዝተኻየደ ፍተሻ ከኣ ሓደ ሳልሕ ማሕሙድ ዝተባህለ ተጋዳላይ ምስ ፖሊስ ሱዳን ዝገበሮ ርክብ ኢዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ሰብ ከኣ ብረትን ሓለፍቲ ተ.ሓ.ኤን ኣብ ከሰላ ከምዘለው ሓቢሩ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ናይ መእሳር መስርሕ ከኣ ሓደ ኤርትራዊ ኣብ ጥቓ ቆንስል ኢትዮጵያ ስዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ ብካራ ወጊኡ ቐቲሉዎ። ሰበ ስልጣን ሱዳን ድማ ንቀታሊ ሒዞምዎ። ከም ዝፍለጥ እቲ ዝተቐተለ ጠላም ካብ ቆንስል ኢትዮጵያ ሓበሬታ እናተቐበለ ንፖሊስ ይሕብር ነይሩ።"**

- ብዛዕባ ኩነታት ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ኣመልኪቱ እቲ ጸብጻብ ከምዚ ይብል፡

**"ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘለው ኣባላት መሪሕነት፡** 1. **ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ** 2. **ኣዚን ያሲን** 3. **ዑመር ሓጅ እድሪስ** 4. **ወልዳይ ግደ ኢዮም። እዚኣቶም ኩሎም ስራሕ የካይዱ የለውን። ኣባላት መሪሕነት ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ (ሓላፊ ጸጥታ) ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ (ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ) ናብ ገደርፍ ተሰጕጎም። ሙሓመድ ስዓድ (ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት) ካልኦትን ከኣ ገና ኣብ ቤተማእሰርቲ ኣለው።"**

- ብዛዕባ ጠንቂ ምስላም ጉጅለ 19 ናብ ቆንስል ኢትዮጵያን ምግዓዞምን ኣመልኪቱ ከኣ እቲ ጸብጻብ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡

**"ሰውራዊ መሪሕነት ሰበ ስልጣን ሱዳን ተጋደልቲ ናብ ጸላኢ ከይስልምዎም ሰለዝፈረሐ ኩሎም ተጋደልቲ ናብ ወተሃደራዊ ክፍልታቶም ከኸዱ ወሲኑ ... ገለ ቅድሚ'ቲ ናይ ፍተሻ ስጉምቲ ብቑሩብ መዓልታት ናብ ከሰላ ዝመጹ ተጋደልቲ ገና ሕሙማት ኣሎና ኣይተፈወሰናን ብዝብል ምኽንያታት ከምዘይክእሉ ገሊጾም። እቲ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ምስ ኣጋጠመን መብዛሕትኦም ምስ ትኣሰሩን ከኣ ሰውራዊ ሰራሕ ከምዝብቀዐ፡ ኣብ ቅድሚኦም ብዘይካ ናብ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኢድካ ምሃብ ካልእ ምርጫ ከምዘየለ ገይሮም ወሲዶምዎ ... ብርግጽ እዞም ሰባት እዚኣቶም ንሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንኽረክብዎም ድማ ንሰበ ስልጣን ሱዳን ሓቲቶም። እቲ ናይ ሽበራ ኩነታትን ሓለፍቲ**

---

[99] ኣብቲ ማዓልታት እቲ ኣብ ቀርበል ጋሽ (ምዕራባዊ ከባቢ ከሰላ) ኣብ ናይ ነዳዲ ገንእታት ቦምባታት ተተኪሱ ነይሩ። ድሕር እቶም ገበነኛታት ኢትዮጵያ ዝለኣኾቶም ምዃኖም ተረጋጊጹ፡ ሰውራዊ መሪሕነት ነቶም ፈጸምቲ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ሒዙ ንሰበ ስልጣን ሱዳን ምስ ኣረከቦምን ንሶም ባዕሎም ምስ ታኣመኑን ኢዩ እቲ ሓቂ ዝተፈለጠ። መራሒኦም ብ1966 ካብ ሰውራ ንኢትዮጵያ ኢዱ ሂቡ ዝነበረ ዑመር ኣቡራሴን ዝተባህለ ኢዩ ነይሩ።

ውድብ ምእሳሮምን ኩሉ ኣብ ከሰላ ዝነበረ ንብረት ተ.ሓ.ኤ. ምህጋሩን ንምራላዊ መንፈሶም ዘዕረበን ውድቐት ዝሰዓበሎም ኣገዳሲ ረጃሒ ኢዩ ነይሩ።"

- ብዛዕባ ኩነታቶም ብዝምልከት ከኣ እቶም ሰበ ስልጣን ኣብ "ኣዲባራ" ንዝርከብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብ24-8-1967 ከምዝረከብዎም እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ቅድሚ ኣብ ጸብጻብ ሰውራዊ መሪሕነትን ኣብቲ እዋን'ቲ ዘጋጠመ ጉዳይ ምስላምን ምዝራብና ግን፡ ርእይቶ ጉጅለ 19 ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ። ምኽንያቱ እዚ ፍጻመ'ዚ ነቲ ካብኡ ድሕሪ ወርሒ ኣብ ሓሙሸይቲ ክፍሊ ዘጋጠመ ንምፍላጥ ቀንዲ መፍትሕ ስለዝኾነ።

እቶም ኣብቲ "ክትዕ" ዝተሳተፉ ሰለስተ ሰባት ማለት፡ ንጉስ ሕዝባይ፡ ኣብርሃ ሃብተለን ዓንደማርያምን ኣብቲ ፍጻመ ዘጋጠመሉ እዋን፡ ብግድምና ይኹን ብደረጃ ሓላፍነት ካብቶም ቀንዲ ጉጅለ 19 ኢዮም። ብዛዕባ ጠንቂ ምስላም ከ እንታይ ይብሉ?

ንኣንባቢ ንምዝኽኻር ከኣ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኣብ ክልተ ነጥቢታት ጸሚቝና ከነቕርቦ ኢና።

- ሰለስቲኦም ወልዳይ ካብ ኣሰመራ ምስ ዝመጹ "ዓበይቲ ዓዲ" ክልተ ግዜ ቀዳማይ ኣብ "ድርፎ" ካልኣይ ድማ ኣብ "ፍልፍል" ከም ዝተራኸበ ይስማምዑ ጥራይ ዘይኮነስ  ወልዳይ ናይ ምስላም ሓሳባቱ ካብቲ ምስ ናይ ምሕረት ኮሚተ (ኣብቲ "ክትዕ" ዓበይቲ ዓዲ ዝተባህሉ) ዝተራኸበሉ እዋን ከም ዝጀምር ከኣ ሓያል ጥርጣረ ኣለዎም።
- ክልተ መራሕቲ ጋንታታት ንጉስ ሕዝባይን ኣብርሃ ሃብተለን ኣብቲ ሓሙሸይቲ ክፍሊ ትሓልፎ ዝነበረት ጽንኩር ኩነታት መራሒ ክፍሊ ንከሰላ ክኸይድ ንዘቕረቦ ሓሳባት ነጺጎምዎ። ንሱ ኣብ ርእይቶኡ ምስ ጸንዐ ድማ ንሳቶም እውን ንከሰላ ንኽኸዱ ከፍቅደሎም ሓቲቶምዎ። ንሱ ድማ ድሕረ ምውልዋል ንጠለቦም ተቐቢሉዎ። ደድሕሪኡ ከኣ ንከሰላ ከይዶም።

ነዚ እንደገና ዝደገምናሉ ምኽንያት ከኣ ብዛዕባ ጠንቂን ድርኺትን ምስላም ጉጅለ 19ን ምትእስሳር ጉዳዮም ምስ ጉዳይ መራሒ ክፍልን ንኣበሃህላ ሰውራዊ መሪሕነትን እቶም ዝረኸብናዮም ሰለስተ ሰባት ዝሃብዎ መረዳእታ ንምንጻፍ ኢዩ።

ብዛዕባ ዝምድና ጉዳዮም ምስ ጉዳይ ወልዳይን መልሲታቶም ንመግለጺ ሰውራዊ መሪሕነትን ምኽንያት መሰለሚኦምን ኣመልኪቱም ከኣ እዚ ዝስዕብ ይብሉ።

**ጉዳዮም ምስ ጉዳይ  ወልዳይ ምትእስሳር ከምዘይብሉ፡**

**ቀዳማይ፡-** ጉዳዮም ምስ ናይቲ ብኩነታቱ ዝተገረሙን ኣብቲ ሓሙሸይቲ ክፍሊ ትሓልፎ ዝነበረት ጽንኩር ኩነታት ንከሰላ ምኻዱ ዝተቓወምዎን ወልዳይ ካሕሳይ (መራሒ ክፍሊ) ምትእስሳር ከምዘይብሉ ሓቢሮም።

**ካልኣይ፡-** ወልዳይ ካብ መጀመርታ ብሓላፍነት መሪሕነት ክፍሊ ከሰከም ብግድምና ይኹን ብወተሃደራዊ ብቕዓት ዓቕሚ ኣይነበሮምን። እዚ ድማ ምስቶም ካብኡ ብግድምና ይኹን ብብቕዓት ዝላዓሉ ኣብቲ ክፍሊ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብዙሕ ሽግራት ይፈጥረሉ ነይሩ።

**መልሶም ንመግላጺ ሰውራዊ መሪሕነት፡**

**ቀዳማይ፡-"እቲ ናይ ምእስር ስጉምቲ ኣንጻር ደቂ ከበሳ ብፍላይ ዝቐንዐ ኣይነበረን፡ የግዳስ ንኣበላት ሰውራዊ መሪሕነት እንኮላይ ኣቦ መንበሩ ሙሓመድ ስዓድ ዝቐንዐ**

ሓፈሻዊ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ ንሕና ካብ ካልኦት ንላዕሊ በቲ ሽግር ዝያዳ እንሳቐ ኣይኮናን።"

ካልኣይ፡-"እቲ ናይ ምስላም ውሳነ ከም ሓንቲ ጉጅለ ዝተወሰደ ኣይኮነን። ንኣብነት ሙሴ ተስፋሚካኤል ምስ ንሱ ዝፈልጦም ጉጅለ ካልኦት ከይፈለጡ ከለው ሰሊሞም። ሰለዚ ከኣ እቲ ጉዳይ ብኣውራጃዊ ወይ ሃይማኖታዊ መልክዕ ዝተዳለወ ኣይነበረን።"

ሳልሳይ፡-"ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምስላም መደብ ነይሩና እንተዝኸውን ነይሩ፡ ኣብ ሜዳ ምስ ብረትና ከሎና ዝቐለለ ነይሩ። ናብ ሱዳን እንኸደሉ ምኽንያት እውን ኣይነብረን።"

ሓ. ብዛዕባ ጠንቂ ምስላም ኣመልኪቶም ከኣ፡-

ኣብ ከሰላ ከለው ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ልዕሊኦም እምነት ከም ዘይብሉን ሰለዚ ካብ ውሽጢ ከተማ ጨውዩ ሓደጋ ከውርደሎም ይሓሰብ ከምዘሎን ብመገዲ ኣዕሩኽቶም ክፈልጡ ከምዝኻኣሉን፡ ሂወቶም ንምድሓን ናብቲ ብመሰረቱ ንዕኦም ዕረ ዝኾነ ናይ ምስላም ምርጫ ከምዘውደቅዎ ገሊጾም።

* * *

ብሓቂ ምስላም ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ናብ ጸላኢ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና ዓመት ብጉጅለ 19 ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣይኮነን ጅሚሩ። ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ኣዋርሕ እውን ውሑዳት ዘይኮኑ ተጋደልቲ ካብ ኩለን ክፍልታት ኣብ ሜዳ ናብ ጸላኢ ኢዶም ሂቦም ኢዮም። ኣብ ጋዜጣ ሕብረት ካብ ዝረኸብናዮ ካብ 16-5-1967 ክሳብ 26-7-1967 ከኣ 22 ተጋደልቲ፡ ኣብ መንጎኦም 3 ኣስላም ዝርከብዎም ሰሊሞም ኢዮም። መብዛሕትኡ'ቲ ምስላማት ብጉጅለ መልክዕ ኮይኑ፡ ዝዓበየት ኢዳ ዝሃበት ጉጅለ ከኣ ብትሽዓተ ኣባላት ዝቆመት ኢያ።

እቲ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ብኹሎም ዝቐርብ ዝነበረ ክሲታት ከኣ ሃይማኖታውን ኣንጻር ክርስትያንን ውድብ ኢዩ ዝብል ነይሩ። እቶም ድሕሪኦም ዝሰለሙ'ውን እንኮላይ መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ወልዳይ ካሕሳይ ብከምኡ ኢዮም ገሊጾም። ይኹን'ምበር እቲ ዝኸፍኣ ንተ.ሓ.ኤ ዝተዋህበ መግለጺ ካብ ራብዓይቲ ክፍሊ ናብ ጸላኢ ኢዶም ዝሃቡ ሓሙሽተ ተጋደልቲ ዝተዛረብዎ ኢዩ። እዚኣቶም፡ **"ኣብታ ዑመሮ ዝመርሓን ምክትሉ ሓጅ ዓሊ ማዕቱቕ ዝኾነን ራብዓይቲ ክፍሊ ኢዮም ተሰሊፎም። ኣብ 'ገደም' ዝተባህለ ቦታ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዶም።"** ቀጺሎም ከኣ፡ **"ብድሕሪ'ዚ ብረትና ዓጢቕና ካብ 30 ክሳብ 35 ተጋደልቲ ኣብ ዘለዋ ጋንታ ተመዲብና። ኣብዛ ጋንታ እዚኣ ከሎና፡ ከም ኣስላም ጀበርቲ ኮይና ኢና ንቐርብ ኔርና። ብዛዕባ ዕላማና ዝኾነ ተጋደላይ እንተድኣ ሓቲትና ድማ ክርስትያን ንምቅታል ከም ዝወጹን ኣዕራብ ምኺኖምን ይገልጹልና።"** ይብሉ። እቶም ሓሙሽተ ነቲ ዝበልዎ ሓቅነቱ ዝያዳ ንምብራህ ከኣ፡ **"ኢጋጣሚ ኮይኑ ሓደ ተስፋይ ዝተባህለ ክርስትያን ካብ ሓማሴን መጺኡና ብምስልምና ዝተሓርደ ስጋ ዘለዎ ምግቢ ምስ ቀረብሉ፡ ምብላዕ ኣብይዎም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ሃማኖታዊ ፍልልይ ከፈጥረልና ዝመጸ ናይ ኢትዮጵያ ሃሱስ ኢዩ ኢሎም ኣብ ቅድሜና ኣሲሮም ናብ ቀይሕ ባሕሪ ደርብዮሞ። ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኣትዩ ሞይቱ።"**[100] ኢሎም። ካልእ ናብ ጸላኢ ኢዱ ዝሃበ እውን

[100] ጋዜጣ ሕብረት 30-5-1967

**"ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ ንሓደ ኣረፋይነ ዝተባህለ ዕረፍቲ ምስ ሓተቶ ቀቲሉዎ።"**[101] ክብል ሓቢሩ።

ብሓቂ ከምዚ ዝኣመሰለ ክሲታት ክትኣምኖ ኣሸጋሪ ኢዩ። ይኹን'ምበር ከምዚ ዝኣመሰለ ፍጻሜታት ንምቅራቡ ዘገድሰና፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ነዚ ክፍሊ ሕብረተሰብ ዘጋጠመ ሰነ ኣእምራዊ ኩነታትን ኣብ መንጎኡን እቲ ንዕላማታቱ ክጋደል ኢሉ ዝመጸ ሰውራን ክሳብ ክንደይ ናይ ምትእምማን ሽግር ከምዝነበረን እናዛየደ ከምዝኸደን ብሓደ ወገን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ክሲታት ድማ ንክርስትያን ህዝቢ ከበሳ ክንደይ ካብ ሰውራ ክርሕቆ ከምዝኽእልን በቲ ካልእ ንምፍላጥ ኢዩ።

ሰውራ ኤርትራ ኣብቲ ግዜ'ቲ ማለት 1967 ዝሓልፎ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት ከም ምቅታል፡ ምንዳድ ዓዲታት፡ ስደት፡ ዝኣመሰለ ብዘይ ጥርጥር ንብዙሓት ተጋደልቲ ኣሸጋሪ ኢዩ ነይሩ። ናብ ውልቃዊ ምርጫታት ሓደ ካብኡ ናብ ጸላኢ ኢድካ ምሃብ ከኣ ደፊኡዎም። ልክዕ'ዩ ካብ መንጎ'ቶም ነዚ ምርጫታት ዝወሰዱ ብጸላኢ ዝተለኣኹ ኣይሰኣኑን ይኾኑ። ይኹን'ምበር እዚ ተርእዮ'ዚ ዋላ እንተ ኣጋጣሚ ሳሕቲ ኢዩ። ጠንቂ ናይቲ ምስላማት፡ እቲ ንሰውራ ኣብቲ እዋን'ቲ ዘጋጠመ ጽንኩር ኩነታትን መሪሕነት ውድብ ነቲ ሽግራት፡ ብፍላይ ከኣ ጉዳይ ሓድነት ሰውራ ክፈትሕ ብዘይምኽኣሉን ኢዩ ዝብል ግምት ኣሎና።

# 6. እንታይ ኢዩ ጠንቅታት ናይቲ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተፈጸመ?

ነቲ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተፈጸመ ናይ ሞት መቅጻዕቲን ጠንቂታቱን ዘብርሃልና ሰነዳት ክሳብ ሕጂ ኣይረኸብናን። እዚ ሰንዳት'ዚ ከምዘሎን ይንዋሕ ይሕጸር ግዜ ከም ዝቃላዕን ከኣ ጥርጣረ የብልናን። ብዛዕባ'ቲ ቅትለትን ብዝሒ ግዳያቱን ጠንቂታቱን ብዝምልከት ዝስማዕ ዘረባታት ከኣ መብዛሕትኡ ኣብ ቤላበለው ዝምርኮስ፡ ምስ ግዜን ፖለቲካዊ ዕላማታትን ድማ ሓንሳብ ዝውስኽ ሓንሳብ ከኣ ዘጉድል ኢዩ።

ሓደ ካብቲ ሓቂ ንምርካብ ዘጸግመካ ከኣ፡ ብዙሓት ካብቶም እቲ ፍጻመ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝተፈጸመ፡ ሎሚ ንዝተፈላለየ ምኽንያታት ብዛዕባ'ቲ ዝፈልጥዎ ሓቂታት ካብ ምዝራብ ምቆጣቦም ኢዩ።

ብዛዕባ ጠንቂ ናይቲ ቅትለታትን ብዝሒ ግደያትን ብዝምልከት እንውንኖ ውሑድ ወግዓዊ ሓበሬታ ከኣ፡ እቲ ኣብ ደብዳበ ኣባላት ላዕለዎይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድን ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዝሰፈረ ኢዩ። ኣብቲ ደብዳበ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ይርከብ። **"ምስ ኩሉ ኣገዳስነት ናይ ብረት፡ ዓሰርተ ሸሞንተ ተጋደልቲ ብናይ ሸለልትነትን ዘይምግዳስን ክሲ ካብ ምቅታል፡ 30 ብረት ምኽሳር ኣዚዩ ዝቐለለ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ እዚኣቶም ካብ ሓደ እምነት ብምኻኖም፡ ናታቶም ምቅታል ኣብ ልዕሊ ደቂ'ቲ እምነት ኩሎም ዘይምትእምማን ኣሕደረ።"**

እቲ ኣብ ደብዳበ ተጠቒሱ ዘሎ ብረት፡ ሓይልታት ኢትዮጵያ ገለ ካብቶም ዝሰለሙ ጉጅለ 19 መሕበኢኡ ዝፈልጡ ዝነበሩ ምስ ሒበርዎም ዝሓዝዎ ናይ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብረት ዝነበረ ኢዩ። እቲ ናብ ቅትለት ተጋደልቲ ዘብጽሐ ከኣ፡ እቲ ብረታት ኣብ ኢድ ጸላኢ ክወድቕ ከም ዝኽእል እቶም ጥርጡራት እናፈለጡ ከለውን

[101] ጋዜጣ ሕብረት 13-6-1967

ናይ ምድሓኑ ተኽእሎታት እናሃለዎምን ዘይምድሓኖም ምኽኑ ካብ እቲ ደብዳበ ክንግንዘብ ንክእል።

ኣቦ መንበር መርማሪት ኮሚተ ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ቃለ መጠየቕ፡ ጠንቂ ናይቲ ዝተፈጸመ ቅትለት፡ እቶም ጉዳይ'ቲ ብረት ዝምልክቶም ከድሕንዎ ይኽእሉ ክነሶም ብዘይምግዳሶም ዝተፈጸመ ምኽኑ ገሊጹ። ሰለዚ ኣንጻሮም ቐሪቡ ዝነበረ ክሲ ወይ ዝተኸሳሰሉ ገበን ጉዳይ ናይቲ ብጸላኢ ዝተታሕዘ ብረታት ማለት ኢዩ።

ኣብ ከምዚ ሒዝናዮ ዘሎና መጽናዕቲ ነቲ ክሲ ምርግጋጹ ወይ ምንጻጉ ዘይከኣል ጉዳይ ኢዩ። ዕላማና ከኣ፡ ነቲ ሽግራት ሙሉእ መርመራ ኣካይድካ ፍርዲ ምሃብ ዘይኮነስ ከም ፖለቲካዊ ተርእዮታት ምንባቡን ምግምጋሙን ኢዩ።

ንክንድዚ ዝኣክል ብዝሒ ተጋደልቲ ብሞት ምቕጻዕ ክትቕበሎ ዘይክኣል ግፍዒ ኢዩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እቲ ንዓና ዘገድስ ከኣ፡ እቶም ክሱሳት ብመሰረት ኣብቲ እዋን'ቲ ዝስራሓሉ ዝነበረ ወተሃደራዊ ሕጊታት ብስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተፈሪዶም ድዮም? ኢዩ።

ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ምዝራብ'ኳ እንተዘይኣቐረጸ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ይኹን ድሕሪኡ ብዛዕባ ዝተኻየደ ፍርዲ ዝተሰምዐ ነገር የለን። ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ ንገዛእ ርእሱ እቲ ጉዳይ ብቤት ፍርዲ ከምዘይተራኣየ ኢዩ ዝገልጽ። ከምቲ ገለ ሰባት ዘዘንትውዎ ሓደ ሓደ ካብቶም ዝሞቱ እናሃደሙ ጥይት ተተኹስሎም ሞይቶም ዝብሃል እኳ እንተኾነ እቲ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት ግዳያት ምስ ጸላኢ ውዲት ፈጺሞም ኣብ ዝብል ጥርጣረታት ዝተመርኮሰ ናይ ላዕለዋይ ኣካል ውሳነ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

እንተ ቁጽሮም ብዝምልከት ብዘይካ'ቲ 20 ጥራይ ምኻኖም ዝሕብር ጸብጻብ ሰውራዊ መሪሕነት፡ ካልእ ውግዓዊ ሰነድ የብልናን። ካብዚ ወጻኢ ዝቐርብ ዝረባታት ድማ ገሊኡ ነቲ ቁጽሪ ላዕሊ 30 ዘቕርብ፡ ገሊኡ ከኣ ትሕቲ 20 ዝብል ኣብ ናይ ምስማዕ ሓበሬታታት ዝምርኮስ ሰለዝኾነ ንክልቲኡ ክትኣምኖ ኣሸጋሪ ኢዩ።

* * *

ኩሉ'ቲ ብዛዕባ ተሳትፎ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብቲ መድረኻት እቲን ዘርእዮዎ ዝነበሩ ምውልዋላትን ዝገለጽናዮ ዝርዝራት ንገለ ምስ ታሪኽን ነጸብራቑን ኣብ ሰውራ ዝተኣሳሰር ሓቂታት ኢዩ ዘብረሃልና። ዋላ'ኳ ነዚ ጉዳይ'ዚ ውድዓዊ ትንታነ ከትቅርበሉ፡ ብፍላይ ጸሚቕካ ምቕራቡ፡ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ ብግምትና እቲ ቀንዱ ብከምዚ ዝስዕብ ክጸሞቕ ይካኣል ኢዩ።

1. ላዕለዋይ ባይቶ፡ ሰውራ ኤርትራ ነቲ ኣብ ሃገራዊ መስርዕ ብሩህ ነቓዕ ዝገደፈ ኩነታት ኣርባዕታትን ሓምሳታትን ንምስጋር ዘብቕዕ ንጹር ሃገራዊ መስመር ክሰፍርን ክብርህን ዘይምኽኣሉን ኣብ ባይታ ዝትግበር ግብራዊ ፕሮግራም ዘይምስኣሉን ኢዩ። ከምኡውን ከምቲ ኣባላቱ ዝተረድእዎ ላዕለዋይ ባይቶ ንነዊሕ ግዜ እሱር ናይ ኣርብዓታት ታሪኽ ኮይኑ ብምቕጻሉ ንባዕሉ ነቲ ጉድለታትን ሽግራትን ኣዛይዱዎ ኢዩ።
2. ካድራትን መሰረታትን ውድብ ሃገራዊ መስመር ኣብ ምምዕባል ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ነቲ ንሰውራ ዘጋጥም ዝነበረ ዓበይቲ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ እውን ኣድማዒ ተሳትፎኦም ዘይምርግጋጽ። መሪሕነት ናብ መሰረታት

ከይተመልሰ ንኩሉ ጉዳይት ምብሓቱን ክሳብ'ዚ እንዛረበሉ ዘሎና እዋን ዋላ ሓደ ግዜ ጉባኤ ውድብ ዘይምግባሩን ክሳብ ክንደይ ንተራ ካድራትን መሰረታትን ውድብ ከም ዘልመሶን ዝኅሰዩን ዘብርህ ጭብጥን ኣብነትን ኢዩ።

3. ኣብ መንጎ ተሰለፍቲ ደቂ ከበሳን ኣብኡ ዝጸንሑ ብዙሓት ተጋደልትን ናይ መራኸቢ ቋንቋ እውን ዓቢ ናይ ምርሕሓቅ ተራ ይጸወት ነይሩ። እዚ ከኣ ኣብ መዓልታዊ ጠባያት ይኹን ወይ ኣብ ውሳኔታት መሪሕነታትን ትግባረኡን ኣብ ዝርኣ ዝነበረ መርገጺታት ዘይምርድዳእ ኣብ ምፍጣር ተርኡ ይጸወት ነይሩ። ከም ምጥቃም ብቋንቋ ዓረብ ብሓደ ወገን፡ ወይ ምስማዕ ሬድዮ ኢትዮጵያ በቲ ካልእ ወይ ከኣ ጉዳይ ምሕራድ ስምዒታት የላዓዕልን ዝተጋነነ መግለጺታት ይወሃቦን ሰለዝነበረ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ንባዕሎም መሊሱ ዘይምርድዳእ ዝፈጥር ዝነበረ ኢዩ።
4. ተሰለፍቲ ደቂ ከበሳ ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ኩነታት ሰውራን ፖለቲካዊ ዓቅሚ መሪሕነቱ ካብ ኣካዳሚያዊ ድሕሪ ባይታኦም ተበጊሶም ኣትሒቶም ይርኣይዎ ሰለዝነበሩ ክርድእዎ ብዘይምኽኣል፡ ነቲ ዝርኣዮም ዝነበረ ሽግር መሪሕነትን ምምሕዳርን ምምዕባል ሰውራዊ ስራሕን፡ … ወዘተ ኣብ ምፍታሕ ቀልጢፎም ተስፋ ይቆርጹ ነይሮም። ከም መፍትሒ ናይቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ ተስፋ ምቁራጽ ከኣ ናብ ጸላኢ ምስላም ይዝንብሉ ብምንባሮም ነቲ ብመሰረቱ ዘይነበረ ምትእምማን ኣጋዲዱዎን ኣብ መዓልታዊ ሂወት እቶም ተጋደልቲ ጥርጣረታትን ፍርሓታትን ፈጢሩ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ናይ ምሕረት ኣዋጃት ዘውጽእሉ እዋናት ከም "ሙሉእ"፡ ጸጋይ ገብረመድህንን ወልዳይ ካሕሳይን ዝኣመሰሉ መራሕቲ ባእታታት ናብ ጸላኢ ኢዶም ምሃቦም ነቲ ኩነታት መሊሱ የታሓላልኾ፡ ንሽግር ምትእምማን የዕሙቅን ንስግኣታት የዛይድን ፖለቲካዊ ትርጉማት ይወሃቦ ነይሩ።

እቲ ዝዓበየ ጉድለት መሪሕነት ሰውራ ከኣ ነዚ ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ምትእስሳር ዝነበሮ ተርእዮታት'ዚ ዘይምርድኡን ነቲ ዝፍጸም ዝነበረ ጉጉይ ኣፈታትሓ ትም ኢሉ ምርኣዩን ኢዩ። እቲ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ዝጠቐሰናዮ ፍጻሜታት ከኣ ንምፍትሑ ዝኾነ ይኹን ፈተነታት ኣይተኻየደሉን። ንጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ንሓድነት ተጋደልቲ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ኣሉታዊ ውጽኢታት ክሳብ ዘምጽእ ሰለዝተገድፈ ድማ ሳዕቤኑ ንሰውራ ብዙሕ ኣሰቐዩ።

# 7. መርገጺ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ እንታይ ነይሩ… እንታይ ከ ገይሩ?

መርገጺ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. (ላዕለዋይ ባይቶ፡ ሰውራዊ መሪሕነት) ፈጺሙ ብደረጃ'ቲ ዝገለጽናዮ ፍጻሜታት ክብ ክብል ኣይከኣለን። እቲ ኣብ ቐዳመይቲ ካልኣይቲን ሳልሰይትን ክፍልታት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘጋጠመ ፍጻሜታት ጥራይ፡ ኣሉታዊ ኣሰራቱ ንምቁጽጻር ዘኽእል ሃጹጽ ስጉምቲታት ንምውሳድ ናይ ሰለስቲኡ ደረጃታት መሪሕነት ርክብ ምክያድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብዚ ንላዕሊ ነቲ ኣብ ዝሓላፈ ዓመታት ኣብ ሰውራ ዓቢ ስምብራት ዝገደፈ ቀታሊ ጌጋታትን ጉጉይ መረዳእታን ንምፍዋስ ብኣረዳድኣን ኣገባብን ክሰግሮ ዝኸእል ሓድሽ ናይ ስራሕ እሰትራተጂ ምስኣል ዝሓትት ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ መሪሕነት ውድብ ብደረጃ'ቲ ፍጻሜታት ዝተግበሮ ነገር ዘረደኣና ብዙሕ ሰነዳት የብልናን። ኣብ ቅድሜና ግን ነቲ ፍጻሜታት ምጉሳይን ብተገዳስነት

ዘይምርኣይን ከምዝነበረ ዘረጋግጽ ክውንነት ኣሎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ ክውንነት ካብ ሰነዳት ንላዕሊ'ዩ ዝገልጽ።

ኣብ ቅድሚና ሰለስተ ሰነዳት ሓደ ናይ ላዕለዎይ ባይቶ፡ እቲ ክልተ ከኣ ናይ ሰውራዊ መሪሕነት ኣሎ። እዚ ሰነዳት'ዚ ገለ ሓበሬታታት ዝህብ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዩ ዘይተገዳስነት መሪሕነት'ውን ጽቡቅ ገይሩ ዘቃልዕ ኢዩ። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ኣብ ፍርቂ መገዲ'ዩ ተገዲፉ።

ብ11-11-1967 ካብ ሰውራዊ መሪሕነት ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተላኣኸ ደብዳበ ብመሰረት ክልቲኦም መሪሕነታት ዝተሰማምዕሉ፡ እታ ንሽግሩት ቀዳመይትን ሓሙሽይቲ ክፍሊን ክትምርምር ብሰውራዊ መሪሕነት ዝቆመት መርማሪት ኮሚተ ዕማማ ከምዝዛዘመት የብርህ። ኣብቲ ከም ኣፈናዊ ጸብጻብ ኮይኑ ዝቐረበ ደብዳበ፡ ብዛዕባ ፍጻሜታት ናይታ ሓምሽይቲ ክፍሊን በታ ኮሚተ ዝተወሰደ ስጉምቲታትን ዝምልከት ገለ ሓበሬታታት ቀሪቡ።

ብ13-11-1967 ከኣ ሰውራዊ መሪሕነት ንኣባላት መርማሪት ኮሚተ፡ ኣሕመድ መሓመር ዓሊ ዒሳ፡ ጃዕፈር ሙሓመድን ወልዳይ ግደን ነቲ ኩነታት ንክብርሁ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ልኣኾም።

እቲ ኣፈናዊ ጸብጻብ ሽግር ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብዝምልከት ዝተኻየደ መርመራ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጽ።

***"ኣባላት መርማሪት ኮሚተ ኣቦ መንበርን ሸውዓተ ኣባላትን ብምኳና ኩሎም ኣባላት ምስ ኣቦ መንበራ ተረኺቦም ርእይቶኦም ምስ ሃቡ እንተ ዘይኮይኑ ናይ መጨረሽታ ጸብጻብ ንክንህብ መሰል የብሉናን። እንተኾነ ግን እቲ ኩሎም ክርስትያን ተቐቲሎም ዝብል ኣብ ቤት ጽሕፈት ሰውራዊ መሪሕነት ዝተሰምዐ ዜና ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓሶት ምኳኑን እቶም ዝተቐትሉ 20 ተጋደልቲ ክርስትያንን ኣስላምን ምኳኖም ካብኣቶም 16 ፈዳይን ዝነበሩ ክኾኑ ከለው እቶም ዝተረፉ ኣርባዕተ ድማ ንበይኖም ከም ዝተቐትሉ ኣረጋጊጽና ኣሎና። ብዝኾነ እቲ ሓጋዊ ስጉምቲታት ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ገና ሰለዘይተወድኣ ኣብ ውሽጢ ኣቲና ክንዛረብ ኣይከኣለናን። ኩሉ ምስ ተወድኣ ጸብጻብ ከነቕርብ ከኣ ተሰማሚዕና ኣሎና።"***

እቲ ጸብጻብ ብዛዕባ ዝወሰድዎ ስጉምቲታት ኣመልኪቱ ከኣ፡ ኣብ ኣሃዱታት ሓሙሽይቲ ክፍሊ ደግመ ስርርዕ ብምክያድ ነፍሲ ወከፍን ሰለስተ ጋንታታት ዘለወን ክልተ ሓይልታት ከምዝቆማን ***"ሓጋዊ ስጉምቲታት ተወዲኡ ጉዳዩ ክሳብ ዝርኣ ምክትል ሓሙሽይቲ ክፍሊ ሕሻል ዑስማን ኣብ ቦታኡ ክጸንሕ።"*** ከም ዝተገድፉን ይሕብር።

እቲ ቀንዲ ሰነድ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ፡ እቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበን መሐመድ ሳልሕ ሕመድን ነቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ክልተ ድብዳበታትን ካልኣት ብ5/11ን ብ23/11ን ዝተጻሕፉ ደብዳቤታትን ሰውራዊ መሪሕነት ድሕሪ ምርካቦም ብ30-11-1967 ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዝለኣኽዎ ደብዳበ ኢዩ።

እቲ ደብዳበ ሽግር ሓሙሽይቲ ክፍሊ ***"ሃይማኖታዊ ሽግር"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብኸምዚ ዝስዕብ የቕርብ።

***"ኣብ እዋን መድረኽ ርእሰ ውሳነ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ጎበጣ ኢትዮጵያ ንኽትወድቕ ጠንቂ ዝኾነ፡ እቲ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ ፍልልያት ኣብ መንጎ ምስልምናን ክርስትናን ዝተኸሰተ ፖለቲካዊ ፍልልያት ምኳኑ ዋላ ሓደ ካባና ዝዝንግዖ የለን። ካብዚ ታሪኻዊ ዝኾነ መበገሲ ጉዳይ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ፍልልያት ናይ ግድን ንሰውራ ኤርትራ ኣፍሺሉ፡ ንኹሎም ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ናይ ወጻኢ ጎባጣ ንዘለኣለም ዘኣቱ ምኳኑ ብቀሊሉ ክንርድኦ እንኽእል ኢና። ሰለዚ ከኣ ምዕቃብ ሓድነት***

ህዝቢ ኤርትራ ረብሓ ኤርትራውያንን ናይ ምህላው ዕላማኦምን ዝእዝዞ ጉዳይ ኢዩ። እንተ ድኣ በዚ ሓቂ'ዚ ዓጊብና ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ እምነታት ጥርጣረታት ዝፈጥር ጉዳይት ንምእላይ ፡ ብሰነ-ፍልጣታዊ ኣገባብ ሓድነት ንምርግጋጽ ግብራዊ ስጉምቲታት ክንወስድ ኣሎና።"

ክውስድ ዘለዎ ስጉምቲታት ከኣ እቲ ደብዳበ ብከምዚ ዝስዕብ የቕርብ።

"1. ኣብ ናይ ሓሙሸይቲን ሳልሰይቲን ሽግራት ንጹህን ፍትሓውን ምርመራታት ምክያድ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ጉዳይ ቅትለት ተጋደልቲ ብኢድ ምክትል መራሒ ሓሙሸይቲ ክፍሊ። ነዚ ጉዳይ'ዚ እትምርምር ብኣቦ መንበርነት ክርስትያናዊ ተጋደላይ ኮሚተ ምቛምን ኣብቲ ናይ ቅትለት ፍጻመ ኢድ ዘለዎም ባእታታት መዘነቶም ብዘየገድስ ናብ ፍርዲ ምቕራቦም። ከምኡውን ኣብ ባርካ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ሓረስቶት ዝተፈጸመ ቅትለት ብዝምልከት።

2. ካብ ንኵናት ንፖለቲካ ቐዳምነት ምሃብ። እዚ ማለት ከኣ ዝኾነ ምስ ፖለቲካዊ ረብሓ ዝጻረር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ዘይምውሳድ ኢዩ ... ፍትሓዊ ምርመራ ምክያድን ንፈጸምቱ ምቕጻዕን ድማ ረብሓ ሰውራ ዝእዝዞ ኢዩ። ኣብ መጻኢ እዚ ጌጋታት'ዚ ንኸይድገም ከኣ፡ ምስ ዝምልከቶም ሓላፍቲ ነቲ ጉዳይ ድሕሪ ምጽናዕ እንተ ዘይኮይኑ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ጀምላዊ መቕጻዕቲ ንኸይፍጸምን ካብ ንወተሃደራዊ ንፖለቲካዊ ጉዳይ ቀዳምነት ንኽወሃቦን ናብ ኩሎም መራሕቲ ሰውራ ዘዋሪ መግለጺ ክመሓላለፍ።"

ብድሕሪ'ዚ እቲ ደብዳበ "መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኣረኣእያ ተ.ሓ.ኤ. ንዝምድና ምስልምና ምስ ክርስትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣዝዩ ተኣፋፊ ዝኾነ ጉዳይ ብከምዚ ዝስዕብ ብድፍረት ኣልዒሉ።

"ክሳብ ሕጂ ክንክተሎ ዝጸናሕና ፖሊሲ (ሓቂ ንዛረብ እንተድኣ ኮይና) ንክርስትያን ናይ ጥርጣረን ጥንቃቐን ባህርያት ብዝመልአ መንፈስ ናይ ይምሰል ተስትፎ ምሃብ ኢዩ። ጥርጣረታት ድማ፡ ዝከፈል ዋጋን ንጥርጣረን ጥንቃቐን ዝደፍኣና ኣሉታዊ ሪቛሒታትን ብዘየገድስ፡ እምነት ብዝፈጥር ስጉምትታት እምበር ብጥርጣረታት ኣይእለን ኢዩ።"

ቀጺሎም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ደብዳቤኦም ቅድሚ ሕጂ ሓቢሮምዎ ንዝነበሩ ጉዳይ ኢዮም ንሰውራዊ መሪሕነት ብከምዚ ዝስዕብ እንደገና ኣዘኻኺሮም።

"ኣቐዲምና ብኮድ ዝተኣሰረ መልእኽቲ ኣብ ዘሰፈርናልኩም ንክርስትያን ኣብ መሪሕነታዊ ቦታታት (ኣብ ወተሃደራዊ ይኹን ፖለቲካዊ ብዝሰፈሓን ግብራውን ብፍላይ ከኣ ኣብ ከበሳታት) ከተሰትፍዎም፡ ከምኡውን ኣብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ንምውሳድ ናብ ወጻኢ ኣብ ምልኣኽ ብማዕረ ክሳተፉ ሓቢርናኩም ኔርና። ብተወሳኺ 120 መንእሰያት ንስልጣና ናብ ሶርያ ክኸዱ፡ ካብኣቶም እቶም ፍርቂ ክርስትያን ክኾኑ እውን ሓቲትና። ጉዳይ ቛንቛ እንተ ድኣ ኮይኑ ድማ ክራዳድእሉ ብዝኽእሉ ኣገባብ ከመሃርዎ ሰለዝኽእሉ ዕንቅፋት ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ድማ ነቲ ብባህላዊ ፍልልይ ዝመጸ ምርሕሓቅ ኣብ ምፍታሕን ምቅላልን ሓጋዚ ኢዩ። ከምኡውን ንመጻኢ ጠቓሚ ናይ ምዕራብ (ዓረባውነት) ስጉምቲ ኢዩ። ከምቲ ኣብ ሓደ ካብ ደብዳቤታትኩም ዝተጠቕሰ ከኣ ኣገዳስነት ሰለዘለዎ ነዚ ሓሳብ'ዚ ንደግመልኩም ኣሎና።"

ከምቲ ኣብቲ ደብዳበ ዝተጠቕሰ ንኩሉ'ቲ ነዚ ንዛረበሉ ዘሎና ፍጻሚታት ዘልዓለ ሕጥቦታት ምቕራብና ብክልተ ምኽንያታት ኢዩ። ቀዳማይ፡ ነቲ ዝተፈጸመ ዘብርሃልና ክንድዚ ኣገዳስነት ዘለዎ ካልእ ሰነድ ሰለዘይብልና። ካልኣይ እቲ መልእኽቲ ካብቶም ዝለዓሉ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝተጻሕፈ ብምዃኑን። ከምኡውን

ኣብ ኣቐራርባኦም ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ብመልክዕ ክትዕን ሕቶታት ምልዓልን ንገለ ዘይብሩህ ሽንኻት ናይቲ ንዛረበሉ ዘሎና ጉዳይ ስለዝሕግዘና ኢዩ።

ነቲ ኣብቲ ደብደበ ዝሰፈረ ትሕዝቶ ብኽልተ ኩርንዓት ክንካትዓሉ ንኽእል ኢና፡ ቀዳማይ ፖለቲካዊ ኣፈታትሓ ንሽግር ሃገራዊ ሓድነት፡ ካልኣይ ነቲ ዝተፈጸመ ንምፍታሕ ዝተወሰደ ግብራዊ ስጉምቲታት።

- ፖለቲካዊ ኣፈታትሓ፣ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ (ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድ ክሳብ እቲ ደብዳበ ዝተጻሓፈሉ ዕለት ዕድመ ኣባልነቱ ኣብ ባይቶ ኣርባዕተ ወርሒ ጥራይ ስለዝኾነ ገዲፍናዮ ኣሎና) ኣብዚ ደብዳበ እዚ ብስም መሪሕነት ውድብ ርእሰ ነቐፌታ ኢዩ ኣካይዱ። ሰለዚ ኣብቲ ነዚ ዝጠቐስናዮ ፍጻሜታት ዘስዓበ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ዝነበረ ሕጽረትን ኣሉታዊ ኣጠማምታን ንነብሱ እውን ናጻ ኣይገብራን ኢዩ።

ብመሰረቱ እቲ ሽግር ኣገዳስነት ሃገራዊ ሓድነት ካብ ዘይምፍላጥ ወይ ሰውራ ዝተመሰረተሉ ማሕበራዊ ኩውንነት ካብ ዘይምርዳእ ዝመጸ ኣይኮነን። ላዕለዎይ ባይቶ ኣብ 1965 ነዚ ጉዳይ'ዚ ብምሉእ ንቅሓት ዝፈትሕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ ብምውጻእ ኣጠማምታኡ ነዚ ክልተ ጉዳያት ሰጊሩዎ ኢዩ። (ምዕራፍ ሓሙሽተ ሽሙናይ ሕጥቦ ተወከስ) ብርእይቶና እቲ ሽግር ፖለቲካዊ ድሌት ኣብ ዘይምህላው ኢዩ ዝጠቓለል።

ሰውራ፡ ካብ መጀመርታኡ በቲ ናይ ኣርብዓታት ፍልልያትን ተመኩሮ ፈደረሽንን ተጸሊዩ ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ኣታሓሳስባታት ከኣ ንምጥፋእ ዕድል ናጽነትን ኣብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምውዳቕን ነቲ ክርስትያናዊ ክፍሊ ሕብረተሰብ ዘስክም ኢዩ ነይሩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ድሕሪ ፈደረሽን ክርስትያናዊ ሽነክ ነቲ ኣስላማዊ ሽነክ ጠሊምዎን ዕድል ተሳትፎ ኣብቲ መንግስቲ ኣጽቢብሉን ካብ ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን ሓሪምዎን ዝብል ኣታሓሳስባታት ዝውቱር ኢዩ ነይሩ። ኣብ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝሰርሑ ዝነበሩ'ሞ ድሓር ኣብ ሰውራ ዝተሰለፉ ወይ ከኣ ሰውራ ዝረኸቦም ዝነበረ እዚ ዝተጠቕሰ ዓመጻት ኣብ ልዕሊ ምስልምና ከም ዝተፈጸመ ከም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ይዛረቡ ነይሮም ጥራይ ዘይኮነስ ገሊኣቶም ውልቃዊ ተመኩሮኦም የዘንትው ነይሮም። ኩሉ'ቲ ዛንታታት ከኣ ንሓደ ጉዳይ ዝገልጽ ነይሩ። ንሱ ከኣ፡ ክርስትያናዊ ክፍሊ ሕብረተሰብ፡ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ምቁራን ምስ ታዓወተ ንኣስላም ኣሕዋቱ ሕቛኡ ሂብዎም ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ብድሕሪኡ ተመኩሮ "ክርስትያን" ኮማንድስ መጺኡ ከኣ ነቲ ስግኣታት ጥርጣረታትን ኣብ ባይታ "ሓቅነት" ኣልቢሱዎ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እምበኣር፡ እተን ሓይልታት ዝፈጽምኦ ምስ እዚ ዝተጠቀሳ ዛንታታት ምትእስሳሩ ቀሊል ኢዩ ነይሩ።

እቲ ክውንነት'ቲ ድማ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝሰረጸ ጉጉይ ኣተሓሳስባታት ዝርዳእን ብመገዲ ፖለቲካዊ ጎስጓሳት ናብ ቅኑዕ መኣዝኑ ንምምላስን ንምስጋሩን ብዘይ ሽለልትነት ዝቃለስን ልዑል ንቅሓት ዘለዎ መሪሕነት ዘድልዩ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ዓለም ካብ ናይ ሕሉፍ ግርጭታትን ብሄራዊ ፍልልያትን ናጻ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝተመሰረተ ሰውራ ተራእዩ ኣይፍለጥን ኢዩ።

እቲ ዘሕዝን ኣብ ተመኩሮና ግን ላዕለዋይ ባይቶ ንባዕሉ ናይዚ ክውንነት'እዝን ድሕረ ባይታኡን እሱር ምኳኑን ንምስጋሩ ዘይምስርሑን ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ኣብቲ ሰውራ ጥሒሉዎ ዝነበረ ናይ ስግኣታትን ጥርጣረታትን ክውንነት ኢዩ ተሸሚሙ ነይሩ። ካብዚ ዝተበገሰ ድማ፡ ኣብቲ ፓለቲካዊ ፕሮግራም ዝገለጸ ክውንነታዊ መረዳእታኡ ድሌትን ትግባረን ዘየሰነዮ ስነ-ሓሳባዊ መደብ ኢዩ ነይሩ።

ክልቲኦም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ (ምናልባት እውን ኩሎም ኣባላት ባይቶ) እቲ ዘጋጠመ ፍጻሜታት ሓያል ነውጺ ስለዝፈጠረሎም፡ ኩሉ'ቲ ዘጋጠመ ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝሰፈነ ጉጉይ ፖሊሲ ምዃኑ ክእመኑ ተገዲዶም ኢዮም። ንኣገዳስነቱ ከኣ፡ ቃላቶም ክንደግም ኢና። **"ክሳብ ሕጂ ክንከተሎ ዝጸናሕና ፖሊሲ (ሓቂ ንዛረብ እንተድኣ ኮይኑ) ንክርስትያን ናይ ጥርጣረን ጥንቃቐን ባህርያት ብዝመልአ መንፈስ ናይ ይምሰል ተሳትፎ ምሃብ ኢዩ።"**

ንክርስትያን ብናይ ይምሰል መልክዕ ዘሳትፍ ወግዓዊ ፖሊሲ ተ.ሓ.ኤ. ኣይንፈልጥን ኢና። ከምዚ ዓይነት እውጅ ፖሊሲ እንተ ዝህሉ ነይሩ ከኣ፡ እቲ ጉዳይ ኣብቲ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ከይበጽሐ ከሎ ፍታሕ ምረኸበ ነይሩ። እቲ ሽግር ግን ከምዚ ዓይነት ፖለቲካ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝተቓርጸን ኣብ ኣካይዳ ናይቲ መሪሕነታት ዘንጸባርቐን ብምዃኑ ኢዩ። እቲ ደብዳበ፡ **"ጥርጣረታት ድማ፡ ዝኸፈል ዋጋን ንጥርጣረን ጥንቃቐን ዝደፍኣና ኣሉታዊ ረቛሒታትን ብዘየገድስ፡ እምነት ብዝፈጥር ስጉምትታት እምበር ብጥርጣረታት ኣይእለን ኢዩ።"** ብምባል ነቲ ዘይምትእምማን የረጋግጽ ኢዩ፡ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ክርስትያን ዘይምትእምማን ዝፈጥርን ጥንቃቀታት ክግበረሎም ዘለዎ ታሪኻዊ ምኽንያታት ከምዘሎ'ን ይኣምን ኢዩ።

ብሓፈሻኡ እቲ ሰነ-ሓሳባዊ ኣጣማምታ ናይቲ ደብዳበ ነቲ ሽግር ኣወንታዊ ኢዩ። እንተኾነ ግን ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ ኢዩ መጺኡ። እቲ ፖለቲካዊ ፕሮግራም እንተዝስርሓሉ ነይሩ፡ ነቲ ደብዳበ ዘልዓሎ ጉጉይ ኣተሓሳስባታት ክፈትሖ ምኽኣለ ነይሩ። እንተኾነ ግን ፖለቲካዊ ድሌት ብዘይምንባሩ፡ እቲ ክውንነት ኣብ ቅድሚ'ቲ ላዕለዎይ ባይቶ ንባዕሉ ቀንዲ ምንጩ ዝነበረ ጉጉይ ኣተሓሳስባታት ቅሉዕ ክኸውን ተገዲፉ።

- **ግብራዊ ስጉምቲታት**፡ እታ ደብዳበ ነቲ ሽግር መፍትሒ ዝበሎ ብርክት ዝበለ ናይ ግብራዊ ስጉምቲታት ሓሳባት ኣቕሪቡ። ንሱ ከኣ፡ ምስ ፖለቲካዊ ረብሓታት ዝጻረር ዝኾነ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከይትግበር ምኽልካል፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ምኽንያታት ጃምላዊ መቕጻዕቲ ንኸይፍጸሙ ንመራሕቲ ሰውራ ዘጠንቅቕ ዘዋሪ መልእኽቲ ከመሓላለፍ፡ ክርስትያን ኣብ መሪሕነታዊ ቦታታት ንኽሳተፉ ዕድል ምሃብ፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ኣብ ናይ ወጻኢ ስልጠናታት ብማዕረ ከም ዝሳተፉ ምግባር ዝብል ነይሩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝተፈጸመን ውጽኢቱን ምምይያጥ ዘገድሰና ኣይኮነን። እቲ ንዓና ዘገድሰ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሜዳ ዝተፈጸመ ነገራት ዝተወሰደ ስጉምትታት ኢዩ።

እቲ ደብዳበ፡ ኣብ ሽግር ሓሙሽይቲን ሳልሰይትን ክፍልታት ንጹህን ፍታሓውን ምርመራታት ክከየድ፡ ብክርስትያናዊ ተጋደላይ እትምራሕ መርማሪት ኮሚተ ክትቛውም፡ ነቲ ናይ ቅትለት ፍጻመ ጠንቂ ዝኾኑ ሰባት ደረጃ ሓላፍነቶም ብዘየገድስ ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ሓሳብ ኣቕረበ።

ኣብ ጉዳይ ምርመራ ምንጻር ዝድልዩ ዘይብርህ ነገር ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ጽሑፍና ከም ዘብራህናዩ ክልቲኦም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ፡ እታ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተሰማምዑላ መርማሪት ኮሚተ ከም ዝቖመትን መርመራታት ከም ዘካየደትን እተብርህን ቁጽሪ ምውታት ብዝምልከት ኣፈናዊ ሓበሬታታት እትህብን ብ11-11-1967 ዝተጻሕፈት ደብዳበ ሰውራዊ መሪሕነት ተረኪቦም ኢዮም። ክልቲኦም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ከኣ ኣብ መእተዊ ደብዳቦኦም ነቲ ደብዳበን ብድሕሪኣ ዝተጻሓፈ ክልተ ደብዳቤታትን ከም ዝተረከቡ ሓቢሮም። ሰውራዊ መሪሕነት ምሉእ ጸብጻብ ክልእኽ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ነይሩ። እሞ ከ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ እዚ ኩሉ እናፈለጡ ከመይ ኢሎም ኢዮም ሕጂ ምቛም ኮሚተ ዝሓቱ ዘለዎ። ብዘይካ'ዚ ከኣ መሪሕነት

ንላዕለዋይ ባይቶ ንኽገልጽሉ ሰለስተ ካብ ኣባላት መርማሪት ኮሚተ ልኢኹ ነይሩ። ዝሓዝናዩ መልሲ ሰለዘየለ ግን ነቲ ጉዳይ ነዚ ሕቶ እዚ ብምልዓል ጥራይ ክንሰግሮ ኢና።

ሕጂ እምባኣር፡ ድሕሪ ምርመራ እንታይ ተፈጺሙ? ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንኽሱሳት ገበነኛታት ዝገበር ይኹን ወይ ናጻ ዘውጽኣ ዝተወሰደ ዝፍለጥ ስጉምቲ የለን። እቲ ጉዳይ ኣብ ፍርቂ መገዲ ተገዲፉ ምስ ካልእ ዓበይቲ ጉዳያት ውድብ ሓደ ካብቲ መዓልቱ ዝጸበ ዘሎ ዝተንጠልጠለ ኣርእስቲ ኮይኑ ተሪፉ።

ብሰንኪ'ዚ ዘይምግዳስ'ዚ ከኣ፡ እዚ ዓቢ ፍጻመታት'ዚ ክሳብ ሎሚ ኣብ ነንሕድሕዱ ብዝገራጮ ኣብ ናይ ኣፍ ዘረባታት ዝምርኮስ ኮይኑ ኣሎ። እንተ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ነቲ ጉዳይ ብዕቱብ ንምፍታሕ ንፈጸምቱ ብምቕጻዕ ይኹን ናጻ ብምውጻእ ስጉምቲ ብዘይምውሳደም ሳዕቤን ናይቲ ፍጻመታት ኣብ ምሰካም መሽርኽቲ ኮይኖም ኣለው።

# 8. ጻዕሪታት ሰውራዊ መሪሕነት ነቲ ቅሉውላው ንምስጋር

ፍጻሜታት 1967 ካብ ኩሎም መሪሕነታዊ ደረጃታት ውድብ ንሰውራዊ መሪሕነት'ዩ ዝኸፍኦ ነይሩ። ኩሉ ፍጻሜታት ከም በርቂ ሓደ ድሕሪ ሓደ ኣብ ልዕሊኡ እናወደቐ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን። ኣብቲ ድሕሪ ካልኣይ ጉባኤ መሪሕነታት ሓደ ድሕሪ ካልእ ፍጻሜታት ዝኽሰተሉ ዝነበረ እዋን፡ ሰውራዊ መሪሕነት ካብ ኩሉ ሓላፍነታቱ ተመንዚዑ ነይሩ። መራሕቲ ክፍልታት ካብ ስልጣኑ ወጺኦም ኣብ ቅድሚ ላዕለዋይ ባይቶ ከይተረፈ ምስሉ ደብዚዙ። በዚ ከኣ ዕድሉ ኣብ ምትሕግጋዝ ናይቶም ንተራኡ ብኽምቲ ዝተገልጸ መልክዕ ዘንኣስዎ መሪሕነታት ክፍልታትን ላዕለዎይ ባይቶን ዝምርኮስ ጥራይ ኮይኑ።

ንኩነታቱ መሊሱ ዘክበዶ ከኣ፡ እዚ ዓበይቲ ፍጻመታት እዚ፡ ማለት ስደትን ማእለያ ዘይብሉ ሽግራቱን፡ ሰበ ስልጣን ሱዳን ካብ ምንቅስቓስ ምእጋዶምን ኣብ ቐዳመይቲ፡ ሳልሰይትን ሓሙሽይትን ክፍልታት ዝተራኣየ ሽግራትን፡ ክፍጸም ኮሎ፡ እቶም ብዛዕባ ወተሃደራዊ ኩነታት ይኺን ላዕለዋይ ባይቶ ሓንቲ ዘይፈልጡ ዝነበሩ መሰረታት ውድብ ጠመተኦም ኣብኡ ምግባሮም ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ፡ ብቀሊሉ ዝውቓዕ ቃልዕ ዕላማ ኮይኑ። ኩሎም ወገናት ድማ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ውድብ ዘጋጠመ ሽግራት ሓለፍነት ከሰክምዎን ኣብ ኩሉ ቦታታት ክነቅፍዎን ተራእዩ።

ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ኣጋ መጨረሽታ ናይቲ ዓመት'ቲ ኣብ ከቢድ ሽግር ኢዩ ተሸሚሙ። ትም ክብል ይኹን ነቲ “**ምቕሉል**” ተራኡ ክጻወት ወይ ከኣ፡ ዓቕሚ ሰለዘይነበሮ፡ ንሰውራ ካብቲ ዝተሸመሉ ቅልውላው ዘድሕን ዓበይቲ ውሳኔታት ከሕልፍ ኣይካኣለን። ሰለዚ ከኣ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ እንኮ ምርጫ ምምካት ንላዕለዋይ ባይቶ መሪጹ። በዚ ድማ ብ13-11-1967 ንላዕለዋይ ባይቶ ሓላፍነቱ ዘዛካክሮ ደብዳበ ልኣኸሉ።

ሰውራዊ መሪሕነት ነዚ ደብዳበ'ዚ ክጽሕፍ ዘገደዶ፡ ምናልባት ላዕለዋይ ባይቶ ንበይኑ ኣብ ሜዳ ምስ ዕድሉ ከማረር ከምዝገደፎ ምስ ተረድኣ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ገለ ካብ ትሕዝቶ ናይቲ ደብዳበ ከኣ፡ **“ምናልባት ብዛዕባ ፋይናንስ ምዝራብ ኣሰልቻዊ ጉዳይ ክኸውን ይኽኣል ኢዩ። ምናልባት'ውን ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጉዳይ ኣካቢድና ብምዝራብና ናታትኩም ምድንጋጽ ንደሊ ዘሎና ክመስል ይኽእል ኢዩ።”** ይብል'ሞ' ቀጺሉ ከኣ ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ጉባኤ ክካየድ ይጽውዕ። ካብኡ ናብ መድረኽ ግጥም ብምስጋር። **“ንዓና ዘገድሰና ሰውራ ኤርትራ**

**ብጽንኩር መድረኽ ይሓልፍ ከም ዘሎ ምሕባር ኢዩ። ነዚ እንተድኣ ቀልጢፍኩም ዘይረዳእኩሞ ከኣ ሓደገኛ ውጽኢት ክህልዎ ኢዩ። ንሕና ፍሽለት ናይዚ ናብ ናይ መጨረሽታ መድረኹ ዝበጽሐ ሰውራ ሓለፍነት ኣይንሰከምን ኢና።”** ይብል። ብሓቂ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ስምዒት ኢዩ። እንተኾነ ነቲ በጺሑዎ ዝነበረ ውድቐት መንፈስ ግሩም ገይሩ ዝገልጽ ኢዩ። እቲ ደብዳበ ደንጉዩ ዝመጸን ኩሉ ንላዕለዋይ ባይቶ ዘሰክምን እኳ እንተኾነ፡ ብሓፈሻኡ ግን ካብቲ ሽግር ንምውጻእ ሓደ ፈተናʼዩ ክበሃል ይከኣል። መርገጺ ላዕለዋይ ባይቶ ከ እንታይ ነይሩ?

መልሲ ላዕለዋይ ባይቶ በቲ ክልተ ኣባላት ላዕላዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድን ብ30-11-1967 ዝጸሓፍዎ ደብደበ ተገሊጹ። እቲ ደብዳበ ኣብ ርእሲʼቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ብዙሕ ጉዳያት፡ መልሲ ንሓሳባት ሰውራዊ መሪሕነት ኣሰፊሩ። ብዛዕባʼዚ ዝምልከት ዝሰፈረ ጽሑፍ ከኣ ንሰለ ኣገዳስነቱ ብምልኡ ብኸምዚ ዝስዕብ ነቕርብ።

**“ኣብ ጸብጻብኩም ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደገኛ ህልው ሽግራት ንምፍታሕ ንላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ዝሓቁፍ ጉባኤ ክካየድ ሓሳብ ኣቕረብኩም ኣሎኹም። ዘቀረብኩምዎ ሓሳባት ቅቡልን ኣገዳስን እኳ እንተኾነ፡ መብዛሕትኦም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ገለ ህጹጽ ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ሓገዛት ንምውሓስ ኣብ ኣገዳሲ ዑደታት ሰለዘለው ብግብሪ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ክካየድ ዝከኣል ኣይኮነን። ንምእንቲʼዚ ከኣ ኣብ ክንድኡ ናይ ሓሙሽተኣን ክፍልታት ወተሃደራውያን መራሕቲ፡ ኣብ ወጻኢ ሰልጠናታት ዝወሰዱ ገለ ንቁሓት መንእሰያትን ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነትን ዝሳተፍዎ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ ሓሳብ ነቕርብ። ጽቡቕ ሃገራውን ሰውራውን ሓድነት ንምርግጋጽን ኣብ መንጎ ክፍልታት ሃናጺ ምትሕግጋዝ ንምፍጣርን ንሰውራ ሓድሽ እስትራተጂ ንምስኣልን ክሳብ ሕጂ ዝተዓመን ንምግምጋምን ከኣ፡ ኣብቲ ጉባኤ ንኩሉ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታትን ሃይማኖታዊ፡ ዓሌታዊ፡ ቀቢላውን ኣውራጃውን ሽግራትን ንምእላዩ ብግልጺ ምይይጥ ክካየደሉ ኣለዎ። እቶም ኣብ ቻይና ጽቡቕ ስልጠና ዝወሰዱ ሓሙሽተ ባእታታት ከምቲ ሓው እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ዝገለጸልኩም ኩልና ዝተሰማምዕናሉን ከም ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት ኣብ ሓሙሽትኣን ክፍልታት[102] ምስ ተመደቡ፡ ኣብ ምድላው ጉባኤ ክትጥቐሙሎም ኣሎኩም። እዚ ጉባኤʼዚ ንሰውራ ልዑል ኣገዳስነት ሰለዘለዎ ከኣ ክሳብ ወርሒ ጥሪ ክዛዘም ኣለዎ።”**

ላዕለዎይ ባይቶ፡ ካብቲ ንሰውራዊ መሪሕነት ዘቆመሉ ዕለት ጀሚሩ ብምሉኣት ሰለስቲኦም ኣባላቱ ምስ ሰውራዊ መሪሕነት ኣኸባ ኣካይዱ ኣይፈልጥን ኢዩ። እዚ ሰለምንታይ ኣጸጋሚ ኮይኑ ግን ንፈልጦ ነገር የለን። ኣብዚ ደብዳበ እዚ እውን ላዕለዋይ ባይቶ፡ ኣባላቱ **“ገለ ህጹጽ ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ሓገዛት ንምውሓስ ኣብ ኣገዳሲ ዑደታት ኣለው።”** ብዝብል ምስምስ ካብቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዝጸውዖ ኣኼባ

---

[102] እቶም ሓሙሽተ፡ ኢሰያስ ኣፍወርቂ፡ ሮመዳን ማሕሙድ ኑር፡ መሓመድ ኢብራሂም (ቺኪኒ)፡ ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመር ኢዮም። ከም ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት ኣመዳድብኦም ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

1. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓሙሽይቲ ክፍሊ
2. ሮመዳን ሙሓመድ ኑር ራብዓይቲ ክፍሊ
3. ማሓሙድ ኢብራሂም (ቺኪኒ) ካልኣይቲ ክፍሊ
4. ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም ሳልሰይቲ ክፍሊ
5. ኣሕመድ ኣደም ዑመር ከም ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነር ኣይተመደበን። ናይ ቀዳመይቲ ክፍሊ ኮሚሽነር ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም ኢዩ ቀጺሉ።

ሮመዳን ሙሓመድ ኑር ቺኪኒን ቅድሚ ናብ ቻይና ምኻዶም እውን ናይተን ዝተጠቐሰ ክፍልታቶም (ከምቲ ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ዝራኣናዮ) ኮሚሽነራት ኢዮም ነይሮም።

ሃዲሙ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ላዕለዋይ ባይቶ ንኩሉ ጉዳያት ዝመያየጥን **“ሓድሽ እስትራተጂ ንሰውራ ዝስእልን”** ወተሃደራዊ ጉባኤ ከካይድ ንሰውራዊ መሪሕነት ምሉእ ሰልጣን ሂቡዎ ኢዩ።

እዚ ከኣ ብሓቂ ንሰውራዊ መሪሕነት ዝኾነ ናይ ምሉእ ውክልና ቅድመ ኩነት ዘይጎደሎ ውክልና ምሃብ ኢዩ ነይሩ። ስለምንታይ ግን ሰውራዊ መሪሕነት በዚ ውክልና'ዚ ዘይሰርሐ? ሰረሑሉ ነይሩ እንተ ዝኸውን ብዙሕ ነገራት መድሕነ ነይሩ። ንሰውራ እውን ካብቲ ዝወደቆ ዓዘቅቲ ከድሕኖ ዝኽእል ሓድሽ መኣዝን መትሓዞ። ከምኡውን ካብቲ ጉባኤ ሓያል መሪሕነት ኮይኑ ክውጽእ ምኸኣለ።

እንተኾነ ግን እዚ ውክልና'ዚ፡ ሰውራዊ መሪሕነት ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ዝጥፍኣሉን፡ ብዘይ ተሳትፎ ላዕለዋይ ባይቶ ዋላ ሓንቲ ክገብር ከምዘይክኣል ምሉእ ዕግበት ኣብ ዘሕደረሉን እዋን ዝመጸ ኢዩ ዝመስል። ስለዚ ከኣ ነቲ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንምክያድ ዝቐረበ ሓሳብ ኣብ ምትግባር ኣይትንቀሳቐሰን፡ ተበግሶ ላዕለዋይ ባይቶ ክጽበ ሰለዝመረጸ ከኣ ኩሉ ነገር ካብ ኢዱ ወጺኡ። እቲ ኣባላት ውድብ ኣብ ልዕሊኡ ኣንቢሮምዎ ዝነበሩ ገለ ተስፋታት እውን ጠፊኡ።

# ምዕራፍ 8

# 1968 ዓመተ ፍታሓት

ዓመተ 1967 ክምቲ ዝገለጽናዮ ዓመተ ቁልውላው ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ሕቶን ጉዳይን ዝተላዕለሉ ግን ከኣ መልሲ ይኹን ፍታሕ ዘይተረኽበሉ ዓመት ኢዩ ነይሩ። ንቅሓት ተጋደልቲ ኣመና ክብ ዝበለሉን ንሽግራት ሰውራ ዝተረድኣሉን ዓመት'ኳ እንተነበረ፡ ግን ካብቲ ናይ ወተሃደራዊ ምእዙዝነት ናብ ናይ ተቓውሞ ኩነታት ክሰጋገር ዘይከኣለሉ ዓመት ኢዩ ነይሩ።

እንተ ዓመተ 1968፡ ንዓመተ 1967 ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ንኹሉ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ወሳኒ ቃል ናይ መራሕቲ፡ ምስግዕን ምፍጻምን ከኣ ናይ መሰረታት ዝነበሮ ዓመታት ዝሰገረ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ምስግጋር ብከመይ ተፈጺሙ? እንታይ ኣገባባትን መልክዓትን ከ ወሲዱ?

ዓበይቲ ሃገራዊ ዕማማት ኣብ ዘሰላስል ውድባት ምስጋር ወይ ለውጢ ብክልተ ኣገባባት ጥራይ ሳልሳይ ዘይብሉ ኢዩ ክመጽእ ዝኽእል። ቀዳማይ ልኡም ምስግጋር ኮይኑ ብመገዲ ንዕላማታት ውድብ ብንቅሓት ዝርዳእ መሪሕነታት ዝረጋገጽ ኢዩ። እቲ መሪሕነት ምስ ፕሮግራም ውድብ ተሰንዩ፡ ነቲ ውድብ ክሳብ እስትራተጂያዊ ዕላማታቱ ዘረጋግጽ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ የሰጋግሮ ማለት ኢዩ። እንተ'ቲ ካልኣይ ብመገዲ ዓጽረ-ሞታዊ ምግልጋል ተባሂሉ ክሰመ ብዝኽኣል ዝመጽእ ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብመገዲ ፖለቲካዊ ባርዕ ወይ ፖለቲካዊ ጎነጽ ወይ ብፖለቲካዊ መልሰ ተግባር ዝመጽእ ምስግጋር ኢዩ። እዚ ኣመራጺ እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ማሕበራውን ፖለቲካውን ክውንነት ዝርከብ ግርጭታት ንምምዝማዝ ዓቢ ዕድል ይከፍት ኢዩ።

ኣብ ተመኩሮና ዓመተ 1967 ከም ዝምስክሮ፡ እቲ ቀዳማይ ምርጫ ስለዘይነበረ ዓመት 1968 ከኣ ናይቲ ምርጫ ምጥፋእ ግዳይ ኮይኑ ኢዩ። ማለት ኣብ ዓጽረሞታዊ ምግልጋል ኣትዩ። እዚ ከ ብከመይ ተፈጺሙ?

እዚ ሕቶ'ዚ ምምላስ ከቢድ ኢዩ። ይኹን'ምበር እቲ ኣዝዩ ዘሸግር ኣብቲ መልሲ፡ ንጉዳያት ብወድዓውን ዘይሽራውን መገዲ ምቅራቡ ኢዩ። ምኽንያቱ ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ነቲ ክውንነት ኣብ ምስጋር ወይ ኣብ ምዕቓቡ ዝተገብረ ፈተነታትን ጻዕሪታትን ንመርገጻት ፖለቲካውያን ሓይልታት ገና ተሳተፍቱ ብሂወት ዘለው ንዝኾነት እትወጽእ ቃል ብሓቂ ድዩ ብጌጋ ክምከትዋ ድልዋት ዘለው ሰለዝትንከፍ ኢዩ። ፍጻሜታት 1968 ከኣ ንኩሉ ዘረባታት ዝዕድም ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ንምዝራብ ዘየተባብዕ ኩነታት ንክንዛረብ ናይ ግድን ኮነ። ንረብሓ ናይቲ ናብ ሓቂ ንምብጻሕ ዝግበር ጻዕሪ ዘገልግል ክሳብ ዝኾነ ድማ ንዝኾነ ነቐፌታ ወይ መወሰኽታ ብኽፉት ኣእምሮ ክንቅበሎ ኢና።

## 1. ሰውራዊ መሪሕነት

ሓይሊ ሰውራዊ መሪሕነት ላዕለዋይ ባይቶን መራሕቲ ክፍሊታትን ኣብ ልዕሊኡ ኣብዘርእይዎ ሰናይ ድሌት ዝምርኮስ ኢዩ ነይሩ። ቀጻልነቱ እውን እንተኾነ ክልቲኦም ሰልጣናት ብላዕልን ብታሕትን ምስኡ ብዝገብሩዎ ምትሕግጋዝ ዝተኣሳሰር ነይሩ።

ክልቲኦም ሰልጣናት ናይቲ ኣብ 1967 ዝተራኣየ ፍሽለታት ሓላፍነት ካብ ምስካም ምስ ሃደሙን ፋይናንሳዊ ሓገዛት ደው ምስ ኣበሉሉን ካብ ጠመተ ምስ ተሰወሩን ከኣ፡ እቲ ዝቐረበ ብንቐፍቲ ነቐፌታታት ዝወሓዞን፡ ብተዛረብቲ ኣኺሉ ክሳብ ዝተርፍ ዝተሓምየን ሰውራዊ መሪሕነት ኢዩ ነይሩ።

ብሓቂ፡ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብቲ ንባዕሉ ዝተሸሞ ቅልውላው ቀሊል ዘይኮነ እጃም ነይርዎ ኢዩ። ንሱ ብቐዳምነት ኣብ ቅድሚ መሰረታት ውድብ እኹል ግሉጽነት ኣይነበሮን። ንሓቀኛ ኩነታት ብምስጢር ሒዙዎ። ንነገራት ናይ ምቁጽጻር ዓቕሚ ከም ዘለዎ መሲሉ ይርኣ'ኳ እንተነበረ፡ ብሓቂ ግን ኩሉ ነገር ካብ ኢዱ ወጺኡ ኢዩ። ካልኣይ ድማ ንኩሉ'ቲ ግዜ ቅድሚ ምሕላፉ ኩነታት ንኽእረም ዝጠልብ ዝነበረ ድምጺታት ጎስዮዎ። ሳልሳይ ኣንጻር ተቓወምቲ ናይ ምፍርራሕን ራዕድን ኣገባብ ተኸቲሉ። ገለ ካብቲ ዝተወሰደ ስጉምቲታት ካብ ኣባልነት ውድብ ምስራዝ፡ ናይ ሞት ፍርዲ[103] ምሃብ ዘኣመሰለ ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ንገለ ብጥርጣረ ምውሳድ። ኣብቲ እዋን'ቲ ገለ ዜጋታትን ተጋደልትን ካብ ውሽጢ ከሰላ ጠፊኦም። ብድሕሪ'ዚ ከኣ ኣሰሮም ኣይተረኸበን።

በዚ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ምፍጣሩን ምምዕባሉን ኣበርክቶ ዝነበሮ ኩነታት'ዚ ዝመጸ ቀዳማይ ዕላማ ናይቲ ተዓፊኑ ዝነበረ ንጥፈታት ተቓወምቲ ዝኾነ ሰውራዊ መሪሕነት ንባዕሉ ኢዩ። እዚ ክኸውን ዝኽኣለ ካብ ሰለስቲኡ ደረጃታት መሪሕነት ምናልባት እቲ ዝደኸመ ኣካል ስለዝኾነ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ሰውራዊ መሪሕነት፡ ዋላ'ኳ ደንጉዩ እንተኾነ፡ መሪር ኩነታቱ ተረዲኡዎ ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝተዓዘብናዮ ንላዕለዋይ ባይቶ ናይ ሓባር ኣኼባ ንክካየድ ፈቲኑ ኢዩ። ስማዒ እዝኒ ከይረኸበ ከኣ ተሪፉ።

ምስ ምእታው 1968 ከኣ ሰውራዊ መሪሕነት ከም መሪሕነት ተራኡ ክጻወት ከምዘይክእል ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሰውራ ካብቲ ተሸሚሙዎ ዝነበረ ሽግር ንምውጻእ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር ዝኾነ ተራ ክጻወት ከምዘይክእል ኣረጋገጸ።

ሰውራዊ መሪሕነት ነቲ ዝወረዶ ሓላፍነት ንምፍኳስ ብዝብል ገለ ነገር ንምስራሕ ኣብ ዝገበሮ ናይ መጨረሽታ ፈተነ፡ ክሳብ ክንደይ ብኣድማዕነቱ ዓጊቡ'ኳ እንተዘይፈልጥና ክልተ ተኻታተልቲ ስጉምቲታት ወሲዱ ኢዩ።

**ቀዳማይ፡- ንኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ሱዳን ጉባኤ ምኽያድ**

ኣብ ለካቲት 1968 ሰውራዊ መሪሕነት ንሓለፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ሱዳን ኣብ ከተማ ከሰላ ጉባኤ ከካይድ ጸዊዑ። ነቲ ጉባኤ ብወገን ሰውራዊ መሪሕነት ሓላፊ ስርዒታዊ ጉዳይ ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕን፡ ሓላፊ ዜና ኣዜን ያሲንን ኢዮም መሪሖምዎ። ኣብ መንጎ ሓላፍቲ ናይዘን ኣብያተ ጽሕፈት እዚኣተንን ብሰውራዊ መሪሕነት ዝተኻየደ ቀዳማይ ርክብ ከኣ ኢዩ ነይሩ።

ክልቲኦም ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ሓናፂ ሽግራት ሰውራ፡ ብፍላይ ከኣ ጉዳይ ሽግር መሪሕነት እኳ እንተ ዘየቕረቡን፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ሓድነትን መሰረታዊ ፍታሓትን የተኩሩ እንተነበሩን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሰለስቲኡ መሪሕነታዊ ደረጃታት ሓላፍነቱ ብብቕዓት ኣብ ምምካት ሰለዝደኸመ ጸላእቲ ዝመዝመዝዎ ነቓዓት ከም ዝተፈጠረ ይገልጹ ነይሮም።

---

[103] ከም ዝፍለጥ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ልዕሊ ትሽዓተ መራሕቲ ሓፈሽ ውድባትን መሰረቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ከተማ ከሰላ ናይ ቅትለትን ምስጓጉን ስጉምቲ ወሲኑ ነይሩ ኢዩ። መብዛሕትኦም ከኣ ጽግዒ ኣቡጥያራ ሒዞም ዝተበህሉ ማርያ ኢዮም ነይሮም። ሓምድ የሱፍን ሙሓመድ ዑስማን ሻንገባይን ይረክብዎም። ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣንጻር ሰውራዊ መሪሕነትን ላዕለዋይ ባይቶን ተቓውምታት ምስ ተላዕለ ከኣ እዚኣቶም ቀዳሞት ካብቶም ተቓወምቲ ኮይኖም።

መዓልታዊ ጸገማት ጨንፈራትን ኣብያተ ጽሕፈትን ዝምድና ኣብያተ ጽሕፈት ምስ ሰውራዊ መሪሕነትን ካብቲ ኣብቲ ጉባኤ ነዊሕ ግዜ ክትዕ ዝተኻየደሉ ጉዳያት ኢዩ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ከኣ እቲ ዝዓበየ ኣቓልቦ ናይቲ ጉባኤ መሰረታዊ ፍታሕ ናይ ምርካብ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ኣብ ጉባኤ ዝተጋህደ ብዙሓት ካብ ሓለፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰውራን መሪሕነቱን ብሕቡእ ዝካይድ ዝነበረ ሓቂታት ዘይፈልጥዎ ምንባሮም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ጸገማትን ኣገባብ ኣፈታትሕኡን ዝነበሮም ደረጃ ንቅሓት ትሑት ምንባሩ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ጉባኤ ብሓፈሻዊኡ ብመሰረት'ቲ ክልቲኦም ኣባላት መሪሕነት ዘቕረብዎ ትንታነታትን መግለጺታትን ይምራሕ ነይሩ።

እቲ ንገለ መዓልታት ዝቐጸለ ጉባኤ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ መንጎ ኣብያተ ጽሕፈታት ምውህሃድ ንኽህሉ ብዝምልከት ዘሕለፎ ውሳኔታት ካልኦት ሰለስተ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣመሓላሊፉ። ንሳቶም ከኣ፦

1. ንክፍልታት ውድብ ጠቕላላ ጉባኤ ንምካያድ ምጽዋዕ።
2. ንኩነታት ወተሃደራዊ ክፍልታት ንምጽናዕን ብዛዕባኡ ጸብጻብ ንምድላውን ካብ ኣባላት ጉባኤ ናብ ሜዳ ልኡኽ ምስዳድ። (እቲ ልኡኽ ብክልተ ሰባት ዝቖመ ነይሩ፡ ንሳቶም ከኣ መሓሪ ደበሳይን "**ካብ ክፍልታት ሰውራዊ መሪሕነት**" ዓምር ጣህር ሽሃቢን "**ካብ ቤት ጽሕፈት መደኒ**") ኢዮም።
3. እቲ ልኡኽ ካብ ሜዳ ምስ ተመልሰ ከኣ ተመሳሳሊ ጉብኤ ምክያድ፡

ሰውራዊ መሪሕነት ካብዚ ጉባኤ'ዚ ብመጠኑ ሓደ ውጽኢት፡ ንሱ ከኣ ደገፊ ጨንፈራት ሱዳንን ኣብያተ ጽሕፈቱን ክረክብ ክኢሉ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ካብ ናይ ሓይሊ ባይታ ተበጊሱ ብዛዕባ ፍታሓት ክዛረብ ሓደ መበገሲ ከይንዎ። ሓላፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት እውን ብወገኖም ብሓደ ውጽኢት፡ ማለት ንሰውራ ካብ ሽግራቱ ንምውጻእ ብሓባር ክሰርሑ ብምስምምዖም ተስፋታቶም ክበራብር ምኽኣሉ ኢዩ።

**ካልኣይ፡ ምግጣም ንላዕለዋይ ባይቶ**

ሰውራዊ መሪሕነት ዝወሰዶ ካልኣይ ስጉምቲ፡ ንላዕለዋይ ባይቶ ረኺብካ ምግጣሙን በቲ ሰውራ ኤርትራ በጺሑዎ ዘሎ ኩነታት ኣብ ቅድሚ ሓላፍነቱ ምግባሩን ዝብል ነይሩ። እዚ ከኣ ኣብ ሰነ ናይቲ ዓመት'ቲ ኢዩ ተፈጺሙ።

ሰውራዊ መሪሕነት ኣብቲ ብ19-5-1968 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ምስ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ወጻኢ ዝረኸቦ ክልተ ካብ ኣባላቱ ኣዜን ያሲንን ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ ዒሳን ናይ ኩሎም ኣባላት ክታማት ዘለዎ ደብዳበ ኣሰንዩ መዘዘ። ትሕዝቶ ናይቲ ደብዳበ ከኣ፡ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። "**ንሕና ኣብ ታሕቲ ክታምና ኣንቢርና ዘሎና ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ናይ ተ.ሓ.ኤ. ኣብቲ ብ19-5-1968 ዘካየድናዮ ኣኼባ፡ ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ወጻኢ፡ ብዛዕባ'ቲ ብዘይ ምድንጓይን ምዕጥይጣይን ህጹጽ ጠቕላላ ጉብኤ ክካየድ ዝጠልብ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ሽግራት ሰውራ ንኽብርሁ፡ ተጋደልቲ ኣዜን ያሲንን ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ ዒሳን ክውኩሉና ወሲና። እዚ ከኣ ነቲ ናብ ኩሉ ሰውራዊ ክፍልታት ውድብ ተዘርጊሑ ዘሎ ሽግር ንምፍታሕ ኢዩ። እቲ ኩነታት ከምዚ ሕጂ ዘለዎ ንካልእ ግዜ እንተድኣ ቀጺሉ ውድቐት ዘይተርፍ ኢዩ።**"[104]

---

[104] ትሕዝቶ ናይታ ደብዳበ ኣብቲ ብ20-9-1969 ዝወጸ መግለጺ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ መሓመድ ኣደም፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ሰፊሩ። ናይቲ ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ንምርካብ ኣብ ወጻኢ ዑደት ዘካየደ ልኡኽ ዛንታ ከኣ ፍሉጥ ኢዩ።

እቲ ልኡኽ ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ንኹሎም ብሓባር ክረኽቦም ስለዘይከኣለ፡ ንምድላዮም ነብሱ ክኸፋፍል ተገዲዱ። ኣብ ኩሉ ጻዕሪታቱ ከኣ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰነ ኣብ ኩዌትን ካይሮን ነንበይኖም ብምርካብ ዝገበሮ ኣኼባታት ብሓባር ክረኽቦም ኣይከኣለን። እቲ ልኡኽ ጠቅላላ ጉባኤ ንምክያድ ዘይተረጋገጸ ተስፋ እንተዘይ ኮይኑ፡ ጉባኤ ንምካይድ ዘውሕስ ግብራዊ ስጉምቲ ከይሓዘ ኢዩ ተመሊሱ።

ሰውራዊ መሪሕነት ካብ ላዕለዋይ ባይቶ ብዝረኸቦ ሓቀኛ ምትሕግጋዝ ኣቢሉ ጥራይ እንተ ዘይኮይኑ ንሰውራ ካብቲ ኣትዩዎ ዝነበረ ፈተና ክወጽኦ ዝኽእል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ክፍልታት ብደረጅኡ ዝፈላለ ጽልዋታት ኣሕዲሮም ስለዝነበሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብዝተሓተ ደረጃ ሓድነት ሰውራ ከውሕስ ዝኽእል ኣካል ላዕለዋይ ባይቶ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቶም ኣብ መርገጺታትን ኣረኣእያታትን መራሕቲ ክፍልታት ዝጸልው ዝነበሩ ኣባላቱ፡ በቲ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ብዝተፈላለየ መልክዓት ዝርኣ ዝነበረ ፍልልያት እውን ዝጽለው ኮይኖም ኢዮም። ብዛዕባ ፍልልያት ኣባላት ላዕለዋይ ቦይቶን ኣማዓባብልኡን፡ ኣብ ውሽጦም ኣብቲ እዋን እቲ ዝካየድ ዝነበረን ኣስፊሕካ ምዝራብ ኣጸጋሚ ኢዩ። ይኹን'ምበር እቲ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክፍልታት ዝነበረ ፍልልያት፡ ኣብኦም ኣንጸባሪቑ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ዝተፈለለየ ኣረኣእያታት ኣብ ምፍንታት ተራኡ ክጻወት ጀሚሩ ክብሃል ይካኣል። ነዚ ድማ ኣብ ዝቅጽል ብዝርዝር ክንርእዩ ኢና።

ብዝኾነ፡ እቲ ክውንነት ንሰውራዊ መሪሕነት ክሳብ ዕድሉ ዝውሰነሉ ሓድሽ ምዕበለታት ዝመጽእ፡ ብዘይካ ትም ኢሉ እናተቆንዘወ ምጽባይ ዋላ ሓንቲ ክገብር ዘክእሎ ኣይነበረን።

## 2. ምንቅስቓስ ምእራም ተ.ሓ.ኤ (እስላሕ)

ኣብ ውሽጢ ሰውራዊ መሪሕነት ካብ 1967 ኣትሒዙ ውሽጣዊ ድኻማቱ ኣብ ኣካላቱ ቀስ ብቀስ ይዝርጋሕ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንሰውራ ናብ ሰላማዊ ማርሳ ብዛዕባ ንክብጸሖ ገለ ተስፋታት ይንበረሉ ነይሩ።

እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ጉብኤ ከሰላ ድኽመት ሰውራዊ መሪሕነት ብንጹር ዘቃልዐ ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን ደድሕሪ'ቲ ብዘይካ መመሊሱ ኣብ ልዕሊኡ ንዝነበረ እምነት ምጥፋእ ካልእ ውጽኢት ዘይተረኸቦ ላዕለዋይ ባይቶ ምኻድ ኣብ ልዕሊኡ ተሪፉ ንዝነበረ ተስፋታት ኣብርዒኑዎ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ብምቅልቓል ምንቅስቓስ ምእራም (እስላሕ) ቀዳማይ ባርዕ ካብ ውሽጡ ጀሚሩ።

መሰረቲ ምንቅስቓስ "ምእራም" ገሊኦም ኣብ ውሽጢ ክፍልታት ሰውራዊ መሪሕነት ዝሰርሑ ዝነበሩን ኣብ ጉባኤ ከሰላ ዝተሳተፉን መንእሰያት ክኾኑ ከለው፡ ገሊኦም ከኣ ካብ ወተሃደራውያን ካድራት፡ ብፍላይ ካብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ኢዮም ነይሮም።[105] እዞም ገሊኣቶም ካብ ዝተመሰረተሉ ኣትሒዞም ኣብ ክፍልታት ሰውራዊ

---

105 ቀንዲ ባእታታት ምእራም፡-

* ዓብደላ ስሌማን ዓብደላ- ካብ ክፍሊ ዜና ሰውራዊ መሪሕነት- መራሒ ናይቲ ምንቅሳቓስን ኣዋጃቱ ዝጽሕፍን።

* ዓብደልቃድር ሮመዳን- ሓላፊ ጥዕና ናይ ቀዳመይቲ ክፍሊ።

* ሓሰን ባሸሜል- ካብ ክፍሊ ጥዕና ከሰላ።

* ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ- ሓላፊ ፋይናንስ ቀዳመይቲ ክፍሊ

*መሪሕነት ዝሰርሑ ዝነበሩ መብዛሕትኦም ኣብ* 1966 *ን* 1967 *ዝተሰለፉን ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታት ሰውራዊ መሪሕነት ልዕሊ ኩሉ ዝፈልጡን ምስ ኩነታት ሜዳ ኣመና ዝጠበቑን ኢዮም ነይሮም። ሰለዚ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራን ዝተፈላለየ ኣካላቱ ዝፍጸም ዝነበረ ጌጋታት ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ መሪሕነት በጺሑዎ ዝነበረ ናይ ድኽመት ኩነታት ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጡ ሰለዝነበሩ ናይ መኸተ ኣገባባት ንኸውሰኑ ኣኽኢሉዎም ኢዩ።*

*ምንቅስቓስ ምእራም ምናልባት ኣብ ከባቢ ግንቦት* 1967 *ኢዩ ተቓልቂሉ። ሓደ ካብቲ እቲ ምንቅስቓስ ዝተቐልቀለሉ ዕለት ንምውሳን ዘሸግር ድማ ኣብቲ ዝዝርግሖ ዝነበረ፡ ካብኡ ሕጂ ኣብ ኢድና ሰለስተ ዝርከብ፡ ኣዋጃቱ ብዛዕባ ዕለት ምጽሓፍ ዘይግደስ ምንባሩ ኢዩ። ምንቅስቓስ ምእራም ኣብቲ መሪሕነት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ድኽመት በጺሑሉ ዝነበረ እዋን ከምዝመጸ ዘረጋግጸልካ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ፕሮፖጋንዳ ስርሓቱ ብመሳርሒታት ክፍሊ ዜና ሰውራዊ መሪሕነት ይጥቀም ምንባሩን መሪሕነት ምስቲ ኩሉ ዝፈነዎ ተሀዲድ ነቲ መሳርሒታት ክመልሶ ይኩን ነቶም ዝጥቀሙሉ ዘለው ክቐጽዖም ዘይምኽኣሉ ኢዩ።*

*እቲ ምንቅስቓስ፡ ናይቲ ሰውራ ዝሓልፎ ዝነበረ ናይ ቁጥዐን ሓጎጽጎጽን ኩነታት ሓቀኛ መግለጺ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ እውን ጽማቝ ናይቲ ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ዝካየድ ዝነበረ ፍጻሜታት ነይሩ። ምንቅስቓስ ምእራም ንጠለብ ጠቅላላ ጉብኤ ናብ ቅሉዕ መድረኽ ኣውጺኡዎ። ሓፋሽ  መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ኣብ ጎኒ እቲ ጠለብ ደው ንኽብሉ ከኣ ጽዊሩ። ብመገዲ'ቲ ዝወጽኦ ዝነበረ ተኸታታሊ መግለጺታት ድማ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ሓያል ተጽዕኖታት ገይሩ። መሰረታት ውድብ ኣንጻር መሪሕነት ንምልዕዓል ከኣ ክሳብ ንውልቀ ሰባት ዘጥቅዕ ቃላት እናተጠቐመ ንመሪሕነታት የቃልዕ ነይሩ።*

*ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ውድብ ዝነበረ ቀጥዐ ክሳብ ክንደይ ሓያል ምንባሩ ንምፍላጥ ከኣ ሓደ ካብ መግለጺታት ናይቲ ምንቅስቓስ ምቅራብ ጥራይ እኹል ኢዩ። ኣብቲ እቲ ምንቅስቓስ "መጸዋዕታ ናብ ኩሎም ኤርትራውያን ምሁራት ኣብ መላእ ዓለም  ዝርከቡ፡ መጸዋዕታ ካብ ዝተጎብጠ ሃገር፡ መጸዋዕታ ካብ ሃገራዊ ሕልና ናብ ሃገራዊ ሕልና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘውጽኦ መግለጺ ዕለት ዘይብሉ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ኣሎ።*

***"እዚ ንእሽቶን ድሩት ዝዓቕሙን ህዝቢ'ዚ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱ ኣሜሪካውያንን ጽዮናውያንን ክልዓል ከሎ ኣብ ናይ ዓይኒ የብለይ፡ ሰኒ የብለይ ወይ ንድሕሪት ናይ ምምላስን ከፊላዊ ፍታሕ ናይ ምቅባል ኣብ ግምት ዘእተወን ናብ ተጣላዒ ኵናት ንምእታው ኢሉ ኣይኮነን ዝተላዓለ። የግዳስ ክሳብ ናይ መጨረሽታ ወተሃደር ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ ዝወጽእ ናብ ጉዕዞ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኽቅጽል ጸኒዑ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ። ህዝብና ናብቲ ናይ መደናገሪ ሰውራዊ ጉልባብ ዝገበሮ መሪሕነቱ እምነት'ኳ እንተ ኣሕደረ፡ እቲ መሪሕነት ግን ካብቲ ናይ መግዛእቲ ኣገባባት ብዘይፍለ እኳ ድኣ ማዕሪኡ ብዝኾነ መገዲ ንዕላማታትን መትከላትን ለዊጡዎ። ንጉዕዞ ቃልሲ ዕንቅፋታት ብምፍጣር ግስጋስኡ ኮሊፉዎ። ኣብ ቅድሚ ኩሎም ኤርትራውያን***

---

* *ዑስማን ሓሰን ዓጂብ- ካብ ወተሃደራውያን ካድራት ቀዳመይቲ ክፍሊ (ኣብ ወታሃደራዊ ኮለጅ ሶርያ ዝተመረቐ)።*

* *ሓምድ ሓሴን- ሓላፊ ፋይናንስ ኣብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝነበረ*

* *ስዒድ ሳብር- ካብ ክፍሊ ዜና ሰውራዊ መሪሕነት።*

ናይ ቀቢላዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ወገናውን ስምዒታት ኣብ ምልዕዓል ብግለጺ ሰሪሑ። ከም ናይ ሱልጣናት ምምሕዳር ዝመሰል ሰድራቤታዊ ስርዓት ኣብ ምፍጣር ሰሪሑ።"

"እዞም ተበላጽቲን ኣድሓርሓርትን ባእታታት መሪሕነት እዚኣቶም፡ ንምእራም ሰውራዊ ስራሕን ካብ መሰረቱ ንምልዋጡን ኣብ ኩሉ ሰውራዊ ንጥፈታት ሓፈሻዊ ዳህሳስ ንምክያድን ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ጠለባት ምስ ኣቕረበ ከኣ ኣመና እዮም ሰንቢዶም። እዞም ናይ ጸረ ሰውራ ኣትሓሳስባታት ዝዓብለሎም ውሑዳት መራሕቲ እዚኣቶም ዝያዳ ድርቕናን ምዕጥይጣይን ብምዝውታር ንሃገራዊ መትከላትን ዕላማታትን ኣብ ጉሓፍ ደረብዮም ብንጹር ካብ ሃገራውነት ታኣልዮም ይርከቡ ኣለው። እዚ ጉጅለ'ዚ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ነዚ ሎሚ ደርብይዎ ዘሎ መትከላትን ዕላማታትን እቲ ቀደም ንሱ ባዕሉ ዝጽዎዓሉ ዝነበረ ኢዩ።"

እዚ፡ ብዘይካ በቲ ዘውጽኦ ኣዋጃት፡ ከም ምስጢራዊ ኮይኑ ዝጀመረ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ኣብ መጀመርታኡ ብዙሕ ጥርጠረታትን ስግኣታትን ፈጢሩ ኢዩ። ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ንሰባት ዘሸቅል ዝነበረ ሕቶ ከኣ፡ ብድሕሪ'ዚ ምንቅስቓስ'ዚ መን ኣሎ? ነዚ ኩሉ መግለጺታት ንኸውጽእ መን ኢዩ ብድሕሪት ኮይኑ ዝሕግዞ ዘሎ? ዝብል ነይሩ። ሓደ ካብቲ ንስግኣታት ሰማይ ዘዕረገ ድማ እቲ ምንቅስቓስ ምንጩ ዘይተነጸረ ኣዋጃት የውጽእ ሰለዝነበረ፡ ገለ ሰባት ምስቲ ብቆንስል ኢትዮጵያ ኣብ ከሰላ ዝምራሕ ናይ ኢትዮጵያ ተጻባኢ ንጥፈታት የተኣሳስርዎ ነይሮም። ከምኡውን ኣብቲ መጀመርታ ንነብሱ "ግንባር ምእራም" ኢሉ ሰለዝጸወዐ፡ እዚ'ውን ብወገኑ ዝተፈላለየ ትርጉማት ይወሃቦ ነይሩ። ሓደ ካብኡ ግንባር ኣብ ውሽጢ ግንባር ኢዮም ዝብል ነይሩ።

እንተኾነ ግን መሰረቲን መራሕቲን ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ መድረኽ ወጺኦም ንመሰረታት ውድብ ኣብ ጨንፈራት ሱዳን ከኀስጉሱን ርእይቶታቶም ክገንጹን ንስግኣታቶም ከምልሱን ምስ ጀመሩ፡ እቲ ዝነበረ ስግኣታት ተቐንጢጡ። ከምኡውን "ኣዋጅ ካብ ምእራም ተ.ሓ.ኤ." ዝብል መግለጺ ምስ ኣውጽኡ፡ እቲ ግንባር ኣብ ውሽጢ ግንባር ዝብል ክሲታት ተኣልዩ።

እቲ ምንቅስቓስ ካብ ውሽጢ መሰረታት ውድብ ኣብ ከሰላ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ቀዳምት ተቓወምቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዓቢ ምድንጋጽ ረኺቡ ኢዩ። ጨንፈራትን ኣብያተ ጽሕፈትን "ኸሸም-ኣልግርባ"፡ "ሓልፋ"፡ "መሰናዕ"ን ከኣ ኣብ ጎኑ ደው ኢለን። ከምዚ ዝኣመሰለ ባይታ ምስ ኣረጋገጹ ከኣ መራሕቲ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብቲ ቀንዲ መደበር ሰውራዊ መሪሕነት ዝኾነ ከተማ ከሰላ ብጋህዲ ክስርሑን ነቲ መሰረታት ጠቕላላ ጉባኤ ናብ ምክያድ ገጾም ከኀስጉሱን ጀሚሮም።

ምንቅስቓስ ምእራም ዘልዓሎም ጭርሖታት ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ክፍልታት እውን ጽልዋ ገይሩ ኢዩ። እቶም ቁርቁሳት መራሕቲ ክፍልታት ዘድከሞም ንቁሓት ወተሃደራውያን ካድራት ንጭርሒታት ናይቲ ምንቅስቓስ ክድግፉን ንጥፈታቱ ብተገዳስነት ክከታተሉን ጀሚሮም።

- ኣብ ውሽጣ እታ ብዝያዳ ትሕቆን ዝነበረት ክፍሊ ቀዳመይቲ ክፍሊ ኢያ ነይራ። ኣብ ጋሽ ዘጋጠመ ናይ 1967 ፍጻሜታትን ኣብ ወሽጢ መራሕቲ ናይቲ ክፍሊ ዝሰፋሕፋሐ ገንዘባዊ ብልሽውና ዝተባህለ ንካድራት ናይቲ ክፍሊ ኣንጻር መሪሕነቶም ንክንቀሳቐሱ ካብ ዝደፋፍኡ ምክንያታት ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ገለ ካብኣቶም ኣብ ጎኒ ምንቅስቓስ ምእራም ደው ኢሎም። ቀንዲ ካብኣቶም ዓብደልቓድር ሮመድን ሓላፊ ጥዕና ኣብቲ ክፍሊ፡ ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ ሓላፊ ፋይናንስ ክፍሊ፡ ዑስማን ዓጂብ ወተሃደራዊ

*ኣማኻሪ መሪሕነት ክፍሊ፡ ክኾኑ ከለው ካልኦት ብናይ ገዛእ ርእሶም ኣገባባት ንመሪሕነት ክፍሊ ካብ ዝቓወሙ ዝነበሩ ከኣ ንኣብነት፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዓሊ ከራር ሓጅ ሳልሕን ክጥቐሱ ይከኣል። ኣባላት ምንቅስቓስ ምእራም ኣብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ብምስጢር ከስርሑ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ከባቢ ወርሒ መስከረም ምስ ተፈለጡ ግን መራሒ ክፍሊ ሰጐጉዎም። ሰለስቲኦም ናብ ካልኣይቲ ክፍሊ ከይዶም፡ ተቐቢሎም ምስ ዓቅሞም ዝደርግ መደብ ድማ ሂቦሞም።*

- *ኣብ ካልኦት ክፍልታት እውን እንተኾነ፡ ከምቲ ኣብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝነበረ ብዛዕባ ኣባልነት ናይቲ ምንቅስቓስ ክንዛረብ'ኳ እንተዘይንኽእል፡ ጠለባት ምንቅስቓስ ምእራም፡ ብፍላይ ከኣ ጠቕላላ ጉባኤ ንምክያድ ዘቕርቦ ዝነበረ መጸዋዕታታት፡ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ዓቢ ጽልዋ ፈጢሩን ንክትዓት ይዕድምን ነይሩ። ሓደ ካብቲ ውድብ ንምእራም ንስምዒታት ተጋደልቲ ዘለዓዕል ዝነበረ ከኣ፡ ካብ ሱዳን ናብ ክፍልታቶም ዝምለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብዛዕባ ኩነታት ውድብ ብዝምልከት ዘመሓላልፍዎ ዝነበሩ ሓበሬታትን ምስኣታቶም ሒዘምዎ ዝመጹ ዝነበሩ ኣዋጃት ናይቲ ምንቅስቓስን ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣዋጃት ከኣ፡ ኣብ ውሽጦም ብምስጢር ይከትዕሉ ነይሮም።*

*እንተ መብዝሕትኡ መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ጨንፈራት ሱዳንን ኣብያት ጽሕፈቱን ኣብ ልዕሊ'ቲ ምንቅስቓስ ናይ ዕቓበ ወይ ግሉጽ ተቓውም መርገጺ ኢዩ ወሲዱ። እቲ ንተቓወምትን ዕቓበ ዝነበሮምን ወገናት ዘራኸብ ነጥቢ ከኣ ዕውር ተማእዛዝነት ኣብ መሪሕነት ዘይኮነስ (ዋላ'ኳ ገለ ካድራት ብተማእዛዝነቶም ንላዕለዋይ ባይቶ ዝኽሰሱ እንተኾኑ)፡ እቲ ዘራኽቦም ነጥቢ፡ ኣብ ውሽጢ ውድብ ምፍንጫላት ከይከስት ካብ ዝነበሮም ስግኣት ዝብገስ ኢዩ። ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ዘሎ መሪሕነታዊ ቅርጺ ዓቒብካ ብሓባራዊ መልክዕ ንጠቕላላ ጉባኤ ምድፋእ ዝብል ኢዩ ነይሩ።*

# 3. *ምንቅስቓስ ከሰር*

*"ከሰረ" ዝብል ቃል ነተን ኣብ ጋሽን ባርካን ቀንዲ ምንጪ መነባብሮኣን ኣብ ሕርሻ ዝተሰረተ ሸውዓተ ቀቢላታት ናራ፡ ኩናማ፡ ኣልገዴን፡ ቢታማ፡ ቢሻ፡ ሓፈራን ሰብደራትን ዘጠቓልለ ኢዩ። እዚ ስያመ'ዚ፡ እቶም ሰበክ-ስግማዊ ሂወት ዘሕልፉ ጎረባብቶም ዝሃብዎም ኮይኑ ነቲ እተን ሸውዓተ ቀቢላታት ዘካይድኦ ከም ናይ ሓባር ረቛሒ ኣብ መንጎኣን ዝቐጽር ናይ ሕርሻ ሞያ ዘንጸባርቕ ኢዩ። ልክዕ ኢዩ ኣብ መንጎ'ዘን ቀቢላታት እዚኣተን ጎረባብቲ ብምዃነን ይኹን ብሓባራዊ ረብሓታት ወይ ከኣ ኣብ መንጎ መብዛሕትኣን ዝተኸስተ ናይ ምትሕንፋጽ ረቛሒታት ዝማዕበለ ብዙሕ ታሪኻዊ ምትእስሳራት ኣሎ። ይኹን'ምበር ብዘይካ'ቲ ዝተጠቕሰ ዘራኽቦም ናይ ሕርሻ ሞያ፡ ካልእ ናይ ሓባር ስም ከውህቦም ዝኽእል ንኹሎም ዝጥርንፍ ናብ ደረጃ ውህደት ዘብጽሕ ረቛሒታት የለን።*

*እንተ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ፡ እቲ ስያመ ፖለቲካዊ ትርጉም ብምሓዝ፡ ካብ ተጋደልትን ሲቪልን ደቒ'ተን ቀቢላታት ንመራሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ናይ ዝቓወም ምንቅስቓስ ስም ኮይኑ።*

*እቶም ብምንቅስቓስ ከሰር ዝተፈልጠ ምትእኽኻብ ዘቆሙ ባእታታት ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ቀቢላታቶም ብመሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝወረደ ዝብልዎ ወጽዓ ኣቕሪቦም። ኣብቲ ዘውጽእዎ መግለጺታት ዘቀረብዎ ወጽዓታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።*

- *ድኽመት ተስትፎ ኣብ ስልጣን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ወተሃደራዊ ሓለፍነታት።*
- *መሪሕነት ክፍሊ ኣብ ውልቃዊ ረብሓታቱን ረብሓታት ዝጣቕዕሉን ገንዘብ ምብኻኑ ወይ ምዝራው።*
- *መሪሕነት ክፍሊ ኣብ* (1967) *ኣብ ጋሽ ኣብ ልዕሊ ኩናማ ጃምላዊ ህልቂት ምፍጻሙን ንብረቶም ምህጋሩን።*

- *ንተግባራት መሪሕነት ክፍሊ ተቓዊሞም ብዝብል ጥርጣረ ጥራይ ንገለ ካብዘን ቀቢላታት እዚኣተን ዝኾኑ ባእታታት ካብ ከተማ ከሰላ ብምጭዋይ ምቅታል።*

*እቲ ቀንዲ ዘቕርብዎ ጠለብ ድማ "**ክፍሊ ጋሽ**" ዝተሰምየ ናይ ገዛእ ርእሶም ወተሃደራዊ ክፍሊ ክቆመሎም ኢዩ።*

*መሪሕነት ከሰር ኣዋጃት ብምውጻእ ጥራይ ደው ከይበለ፡ ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ነበርቲ ጋሽ ዝኾነ ካብ ዓበይቲ ዓዲ ኩናማ ሼኽ ሙሳ ዓሊ ሹሊ ዝመርሓ ልኡኽ ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ንምርካብ ናብ ካርቱም ብምልኣክ ጠለባቱ ብጽሑፍ ኣቕረበሎም።*

*እዚ ደድሕሪ ምንቅስቓስ ምእራም ዝተቓልቐለ ምንቅስቓስ'ዚ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተጠቐሰ ቀቢላታት ዓቢ መድንጋጽ ረኺቡ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ካብ ኩሉ ሓደገኛ ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ቐዳመይቲ ክፍሊ ዳርጋ እውጃ ዘይኮነ ምፍንጫል ሰለዝተቓልቀለ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ናብ ወተሃደራዊ ጎንጺ ክበጽሕ ዝኽእል ክሲታት ምልውዋጥ ኢዩ ነይሩ።*

*መሪሕነት ክፍሊ ብዙሕ ምፍርራሕ እኳ እንተገበረ፡ ካብ ሳዕቤኑ ሰለዝሰግኣ ግን ናብ ወተሃደራዊ ምርጫ ኣይኣተወን። መሪሕነት ክፍሊ ወተሃደራዊ ምርጫ ንኽይወስድ ዝዓገቶ ድማ፡ (ናይ መኽሰብን ክሳራን ገምጋማት ንጎኒ ገዲፍካ) ካልኣይ ሓይሊ ናይታ ክፍሊ ብመሪሕነት ዱንግስ ኣረይ ምስቲ ምንቅስቓስ ምድንጋጹን ነቲ ምንቅስቓስ ዝድግፉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ምክልኻልን ኣብ ውሽጢ ካልኦት ሓይልታት ከይተረፉ ምስቲ ምንቅስቓስ ዝዳናገጹ ተጋደልቲ ምቅልቓልን ባእታታት ምእራምን ካልኦት ፍሉጣት ወተሃደራዊ ካድራት ከምኒ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ሓምድ ማሕሙድ ሓምድን (ኣሱሪ) ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ምርጫ ብትሪ ደው ሰለዝበሉ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ናይ ዘተ መስመር ከምዝህሉ ሰለዝጸዓሩን ኢዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ፍሉይ ትርጉም ዘለዎ ነገር ኣብቲ እዋን'ቲ ዝዝረብ ዝነበረ፡ እቶም ድሕሪ ፍጻመ 1967 ብረት ጸላኢ ዝዓጠቑ ደቂ ኩናማ ንጥፈታት ምንቅስቓስ ከሰር ይከታተሉን ምስቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣብ ጋሽ ክፍሊ ንኽቆመሎም ዝቐርብ ዝነበረ ጠለባት ይደናገጹን ምንባሮም ኢዩ። እቲ ዝተባህለ ከኣ ብዘይመሰረት ኣይነበረን።*

*መብዛሕትኦም ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ንሓቀኛ ድርኺት ናይቲ ምንቅስቓስ ክርድእዎ ኣይከኣሉን። ሰለዚ ከኣ ንመሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ኣብቲ ኣንጻር'ቲ ምንቅስቓስን መራሕቱን ዘካይዶ ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ይድግፍዎ ነይሮም። ኣንጻር'ቲ ምንቅስቓስ ካብ ዘቕረብዎ ቀንዲ ክሲ ከኣ፡ ብመምርሒ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ከም ዝቆመን ኣብቲ ኣብ ካርቱም ንልኡኽ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ናይ ገዛእ ርእሶም ክፍሊ ንምቛም ንዘቕረብዎ ጠለብ ንምትግባር ቃል ከምዝኣተወሎምን ዝብል ነይሩ።*

ብዙሓት እቲ ክሲታት ምስ ድሌቶም ዝሰማማዕ ኮይኑ ዝረከብዎ ኣሚኖምዎ ኢዮም። ብሓቂ ከኣ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ዝፍኖ ወረታት ዝኣምኖን ዝዝርግሐን ይስእን ኣይነበረን። እቶም ንእድሪስ ዝኽሱ ወገናት፡ ባይቶ ነቲ ጉዳይ ከጽንዖ ኢዩ ክብል ዝሃቦ መልሲ ብምምዝማዝ፡ ነቲ ምንቅስቓስ ከም ዝደገፈ፡ ጸኒሖም ከኣ ከም መስራቲኡ ገይሮም ቶርጊሞሞ።

እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ መስራቲ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣይነበረን። ብግልጺ እውን ኣይደገፎን። እንተኾነ ግን ኣብቲ ነቲ ልኡኽ ዝሃቦ መልሲ ብዘይምቅዋሙ ኣብ ልዕሊኡ ጥርጣረታት ስዒቡ።

እድሪስ ገላውዴዎስ፡ ነዚ ኣብ ውሽጢ፡ ነቲ ጠለብ ናይ ምቅባል ትርጉም ዝህብ መልሲ ሰለምንታይ ሂቡ ንፈልጦ ነገር የለን። ምናልባት ኣብቲ ማእከላት ሓይሊ ምምስራት ዝድለየሉ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ከምዚ ዓይነት መልሲ ምሃቡ ፖለቲካዊ ሕሳባት ነይሩዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብዝኾነ ግን ንሱ ካብቲ ክሲ ናጻ ኢዩ። ልክዕ ኢዩ ናጻ ዝገበሮ ጭብጢ ከተቕርብ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ፡ ዘ'ክስስ ጭብጢ ንኸትቕርብ እውን እቲ ብዝያዳ ኣሸጋሪ ዝኾነ ኢዩ።

ምንቅስቓስ ምእራም ብዘይ ኣፈላላይ ንመሪሕነት ሰውራ ክነ'ቕፍ ከሎ ምንቅስቓስ ከስር ግን ነቐፌታኡ ኣንጻር መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። በዚ ድማ ነቲ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ብሓፈሻ ሓድሽ ሓይሊ ወሲክሉ ጥራይ ዘይኮነስ ነታ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ዝኾነ ይኹን ተቓዎሚ ብግልጺ ካብ ምልዓሉ ዝቑጠብ ዝነበረ ወተሃደራዊ ክንፌ ብቐጥታ ተንኪፍዎ።

ኩሉ'ቲ ከሰራውያን ኣንጻር መሪሕነቶም ዝበሉዎ ክትኣምኖ ፍትሓዊ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እውን ኩሉ'ቲ ኣንጻር መሪሕነቶም ዝበሉዎ ጌጋ'ዩ ክትብል እውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኢዩ። ኣብ ናይ ክልቲኡ ተለዋዋጢ ክሲታት ፕሮፓጋንዳዊ ባእታ ተራ ነይሩዎ። ምስዚ ኩሉ ከኣ መሪሕነት ክፍሊ ነቲ ቀቢላዊ ሽግራት ብልዑል ስምዒት ይጥምቶ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምቲ ዝግባእ ብቅኑዕ ኣገባብ ንምእራሙ ኢቓልቦ ይህበሉ ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚ ኣብ 1967 ክትከላኸለሉ ዘሸግር ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ኩናማን ሕረስቶት ከበሳን ወሲድዎ ዝነበረ ስጉምትታት ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝጸነሐ እምነት ኣዚዩ ላሕሊሕዎ ኢዩ።

ብዙሓት ኣብቲ እዋን'ቲ ሰውራዊ ስራሕ ንምእራም ጻዕሪታት ዘካየዱ ዝነበሩ ባእታታት ብዘካየድዎ ጻዕረታት ከሰራውያን ነቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ወተሃደራዊ ክፍሊ ክቆመሎም ዘቕረብዎ ጠለብ ከም ዝማሓየሽ ተገይሩ። ናብ ሓድነት ወተሃደራዊ ክፍልታት ከም ዝዝንብሉን ጠቅላሊ ሓድነት ምስ ዘይረጋገጽ ጥራይ ምርጫ ምቛም ናይ ገዛእ ርእሶም ወተሃደራዊ ክፍሊ ከልዑሉ ከምዝለዎም ተገይሩ።

ከምዚ ኢሎም ከኣ ከሰራውያን ኣብ ጎኒ'ቶም ንሓድነትን ጉብኤን ዝጽውዑ ደው በሉ። እዚ ግን ኣብ ውሽጢ ቐዳመይቲ ክፍሊ ሓያል ናውጺ ድሕሪ ምፍጣሮምን ኣብ ልዕሊ መሪሕነቱ ናይ እምነት ሽግር እናገደደ ከም ዝኸይድ ድሕሪ ምግባሮምን ኢዩ።

# 4. ሽግር ሳሕል

ሰሜናዊ ሳሕል ብምልኡ ኣካል ካልኣይቲ ክፍሊ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ እዚ ሕጂ ንዛረበሉ ዘሎና ሽግር ንካልኣይቲ ክፍሊ፡ ብፍላይ ከኣ ንመሪሕነታ ዝምልከት ኢዩ።

ልክዕ'ዩ እቲ ሽግር ብከምቲ ናይ ምንቅስቓስ ክሰር ብመልክዕ ምንቅስቓስ ኣይተቐልቀለን። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ባህሩን ዕላማታቱን ዝገልጽ ብዝኾነ ይኹን ወገን ዝወጸ መግለጺታት የለን። ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ሽግር ኣብቲ እዋን'ቲ ቀጻሊ መዛረቢን ንምፍታሑ ተኸታታሊ ጻዕሪታት ዝተኻየደሉን ነይሩ። እቲ ሽግር ኣብ ሜዳ ዝበቀለ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ ብዙሓት ደቂ ሳልሕ ዝርከብዎ ከተማ ፖርትሱዳን'ዩ ብዝያዳ ብሩህ ዝነበረ።

ክትምርኮሰሉ እትኽእል እኹል ሰነዳት ኣብ ዘይብሉ፡ ንከምዚ ዝኣመሰለ ወገናዊ ባህሪ ዝነበሮ ሽግር ብዝርዝር ክትቅርብ ኣጸጋሚ ምዃኑ ይርዳኣና ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ሰነዳት ብዘይምህላው ክትጎስዩ ምኽኑይ ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ መድረኽ እቲ ዝተቀልቐለ ሽግራት ነቲ ስዒቡ ኣብ ሰውራ ዘጋጠመ ምፍንጫላትን ጸግዒታቱ ኣብ ምውሳንን ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ጽልዋ ገዲፉ ኢዩ። ነዚ ሽግር'ዚ ንኽነልዕል ዘተባባዓና ድማ ብዙሓት ኣብቲ ፍጻመታት ዝነበሩ ብሂወት ሰለዘለው ንጌጋታት ኣብ ምእራምን ንትሕዝቶኡ ኣብ ምህብታምን ዝያዳ ሓበሬታታት ከበርክቱ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል እምነት ኢዩ።

መበገሲ ሽግር ሳሕል ካብ ናይ ክሰር ሽግር ዝተፈልየ ኣይኮነን። እዚ ሽግር'ዚ ንክቅልቐል ዝደረኸ ከምቲ ዝተባህለ **"ወጽዓታት"** ኢዩ። ከምኡውን እቲ ሽግር ብግልጺ ዝተጋህደ ኣብ 1968 ኢዩ።

ብዛዕባ'ዚ ሽግር'ዚ ዝምልከት ኣብ ኢድና እኹል ሰነዳት እኳ እንተዘየለ፡ ንገለ ኣገዳስቲ ጎንታት ናይቲ ሽግርን ጽልዋታቱን ንምፍትሑ መሪሕነት ዘካየደ ጻዕሪታተን ዘብርህ ኣገዳሲ ሰነድ ግን ኣብ ቅድሜና ኣሎ። ንኣገዳስነት ናይቲ ሰነድ ብዝያዳ ዘዕዝዞ ከኣ ጸሓፊኡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት፡ ቅድሚኡ ድማ ጸሓፊ ጨንፈር ፖርትሱዳን ብምንባሩ ኢዩ። ንሱ ኣቡበከር እድሪስ ኮይኑ፡ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነትን ተሓጋጋዚ ጸሓፊኡን ኮይኑ ተመዚዙ ዝነበረ ኢዩ።

ኣቡበከር እድሪስ ነቲ ኣብ ነሓሰ 1968 ከም ጥርዓን ዝጸሓፎ መልእኽቲ ናብ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ፡ ቅዳሓት ድማ ናብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ናብ ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ ስዓድ ኣደምን ጸሓፊ ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱን ኢዩ ልኢኹዎ። ዋላ'ካ መበገሲ ናይቲ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ነቲ እድሪስ ገላውዴዎስ ንዕኡ ከም ዓሌታዊ፡ ቀቢላውን ኣዕናውን ባእታ ዝገልጾን ናብ ኩለን ጉጅለታት ጨንፈር ንኽንበብ ዝጠልብን ናብ ጨንፈር ፖርትሱዳን ዝጸሓፎ መልእኽቲ፡ ኣሉታ ንምሃብ እንተኾይኑ፡ እቲ መልእኽቲ ግን በዚ ደው ከይበለ ብዛዕባ ሽግር ሳሕልን ኣመዓባብላኡን ተንቲኑ።

ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ነዊሕ ደብዳበ ቅድሚ ምእታውና ንጥንቃቐ ዝኣክል እቲ ሽግር ከምቲ ናይ ክሰር ሱሩን ታሪኹን ንምቅራብ ኣጸጋሚ ምዃኑ ክንሕብር ንፈቱ። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ንክልቲኣን ሽግራት ከም ተርእዩ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ጥራይ ሓጺርና ክንዘረበሉ ዝመረጽና።

ኣቡበከር እድሪስ ተርእዩ ናይቲ ሽግር ካብ ምቛም ክፍልታት ከምዝጀመረ ኢዩ ዝገልጽ። ብከምዚ ዝስዕብ ከኣ ኣቕሪቡዎ። **"ኣብ 1965 ኤርትራ ኣብ ኣርባዕተ ወተሃደራዊ ክፍልታት ምስ ተመቕለት፡ ደቂ ሳሕል ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊ ኣብ ምቛም'ቲ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ግምት ከምዘይትዋህቦም ገሊጾም። ብዛዕባኡ ድማ ብዙሕ ሓቲቶም። ነዚ ድማ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ባዕሉ ጽቡቅ ገይሩ ይፈልጦ ኢዩ። ብዛዕባ'ቲ ንዓታቶም ኣዕጋቢ ዘይነበረ ስጉምቲ ብዝምልከት ከኣ ገለ ካብኣቶም ምስኡ ተራኺቦም። ምስኡ ኣብ ምንታይ ከም ዝተረዳድኡ ግን ዝፈልጦ የብለይን። ከም**

***ዝመሰለኒ ግን ንሳቶም ኣይዓገቡን። ዘይምዕጋቦም ከኣ እቶም ዝበዝሑ (ደቂ ሳሕል) ኣብቲ ክፍሊ ባህርያዊ ቦታኦም ክሕዙ እቶም ዝወሓዱ ድማ ግምት ክወሃቦም ካብ ዝብል እምነት ኢዩ። ኣይዓገቡን መበልየይ ከኣ ገለ ካብኣቶም ናብ ፖርትሱዳን መጺኦም ንደቂ ሳሕል ነቲ ዘይባህርያዊ ኩነታት ብምቁዋም ደቂ ሳሕል ድምጾም ከስምዑን ክጠርዑን ምልዕዓሎም ኢዩ።"*** ኣቡበከር እድሪስ እታ ንሱ ጸሓፊኣ ዝነበረ ኮሚተ ጨንፈር፡ ነቲ ስጉምቲ ብምኹናን ***"ኣብ ሜዳ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ምድንጋራት ምእንቲ ከይፍጠር"*** ኣብ ምዕማቅ መትከላት ሰውራ ዘተኮረ ሰፊሕ ናይ ጎስጓስ ዘመተ ከምዘካየደት ይሕብር።

ቀጺሉ እቲ ደብዳበ ንምዕባለ ናይቲ ሽግር ኣመልኪቱ፡ ንኣሕመድ ኢብራሂም ነፊዕ (ሓሊብ ሰተ) ***"ኣብ ውሽጢ ሰራዊትን ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊን ዝርከቡ ደቂ ሳሕል ከምዘለዓዕልን ዓሌታውን ኣዕናዊ ተግባራትን"*** ከምዝፈጸመን ዝኸሰሰ ጸብጻብ ካብ ካልኣይቲ ክፍሊ ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ከምዝተላእከ ይሕብር። ኣብቲ ሰውራዊ መሪሕነት ዘካየዶ መራሒ ካልኣይቲ ክፍልን ሓሊብ ሰተን ዝተረኽብሉ ኣኼባ ግን ሓሊብ ሰተ ካብቲ ክሲ ናጻ ከም ዝወጸ እቲ ደብዳበ ይገልጽ።

ኣስዒቡ እቲ ደብዳበ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ***"ኣብ ፖርትሱዳን ንሓሊብ ሰተን ካልኦት ብተወፋይነት ግቡኦም ንዝፈጸሙን ዝፍጽሙ ዘለዎ ውልቀሰባትን ተመሳሳሊ ክሲ ከም ዝቐረበሎም"*** ይገልጽ።

እቲ ሽግር ክሳብ ክንደይ ከም ዝማዕበለ ንምብራህ ከኣ፡ ኣቡበከር እድሪስ ብውልቃዊ ጉዳይ ናብ ፖርት ሱዳን ምስ ከደ፡ መሪሕነት ጨንፈር ኣብቲ እቲ ጨንፈር ዝወደቦ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንኽሳተፍ ከምዝሓተቶ ይገልጽ እሞ፡ ***"ኣብ መጨረሽታ ኣኼባ ናይ ሕቶን ርእይቶን ዕድል ምስ ተዋህበ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊ ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ምቋም ሓይልታት ዝነበረ ሕማቅ ኩነታት ሕቶታት ቀሪቡ። ናብ ካልእ መእዝን ብምጥዋይ መልሲ ክህብ እኳ እንተፈተንኩ፡ ህዝቢ ግን ድምጹ መሊሱ ሰለዘልዓለን ኣኼባ ኣብ ዕግርግር ሰለዝኣተወን ልክዕ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ሕጂ ከቅርቦ ኣይከኣልን እየ።"*** ክብል ሓቢሩ።

እቲ ሽግር ምስ በርትዐ፡ ንምፍትሑ ሰውራዊ መሪሕነት ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣመልኪቱ ከኣ ኣቡበከር እድሪስ፡ እቲ ሽግር ንኽፍታሕ ምስ ጸቓጥኩሉ፡ ጸሓፊ ሰውራዊ መሪሕነት፡ መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ መራሒኣን ምክትላን ካብ ደቂ ሳሕል ዝኾኑ ራብዓይቲ ሓይሊ ከቅውም ምኽኑ ሓበሬታ ከም ዘለዎ ገሊጹለይ ይብል። ብልክዕ ከኣ እታ ሓይሊ ብመሪሕነት ሓሊብ ሰተ ቆይማ።

እምባኣርከስ መበገሲ ናይ እዚ ሽግር እዚ'ውን ከምቲ ናይ ከሰር ሽግር ድክመት ተሳትፎ ኣብ መሪሕነት ኢዩ። ልክዕ ኢዩ ኣብቲ ጉዳይ ካልእ ከም ዘይፍትሓዊ ፍርዲ ኣንጻር ደቂ ሳሕል፡ ብዓይኒ ጥርጣረ ምጥማቶም፡ ኣንጻሮም መሰረት ዘይብሉ ክሲታት ምቕራብ ዝኣመሰለ ፍጻሜታት ተወሲኽዎ ኢዩ። እዚ ኩሉ ግን ካብቲ ዓቢ ሽግር ኣብ ስልጣን ናይ ዘይምስታፍ ዝነበረ ስምዒታት ዝመንጨወ ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት እቲ ቀቢላዊ መልክዕ ዝነበሮ ሽግራት ክሳብ ክንደይ ተኣፋፍን ኣብ ዝኾነ እዋን ብሰምዒታዊ ኣገባብ ክትኮስ ዝኽእልን ምኻኑ ኢዩ ዘረድእ።

እዚ ሽግር'ዚ ኣብ ግዜኡ ንብዙሓት ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈለለየ ቦታታት ኣሸቒሉ ኢዩ። ሓደ ካብቲ ተመኩሮ ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣብ ምዕቓብ ሓድነት ህዝብን ንኩሉ ዓቕሚታት ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ኣብ ምቅናዕን ከም ዝፈሸለ ዘረጋግጽ ከኣ ኢዩ።

# 5. ሰሉሳዊ ሓድነት

***ድሕረ ባይታ፡*** *ጠለብ ምስራዝ ክፍልታት ካብ ቅድም ዝጸንሓ ኢዩ። ንመጀመርታ ግዜ ዘልዓልዎ ከኣ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ብ*1966 *ንኣሽቱ ወተሃደራውያን መራሕቲ ናይ ሰለስተኣን ክፍልታት ቐዳመይቲ፡ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኢዮም። እንተኾነ ግን መሪሕነት ቐዳመይቲ ክፍልን ላዕለዋይ ባይቶን ከምኡ ከኣ ካልኦት መሪሕነታት ክፍልታትን ብዝወሰድዎ ጽኑዕ ስጉምቲ እቲ ኣወንታዊ ተበግሶ ተቆጽዩን ናብ ሓፈሻዊ ጠለብ ገጹ ካብ ምምዕባል ተኸሊፉን። ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣብ* 1967 *ዓበይቲ ፍሽለታት እንተኣጋጠሙ፡ ኣብ ክልቲኡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኣካላት ዝነበሩ መሰረታት ውድብ ግን መሪሕነት ውድብ ክረድኦን ምፍንጫል ከየጋጠመ ንውድብ ንለውጢ ክመርሓን ይኽእል ኢዩ ብዝብል እምነት ነቲ ጸገማት ተጻዊሮምዎ። እንተኾነ ግን እቲ ተስፋ ምቁራጽ ኣብ ክፍላ* 1968 *ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ምስ በጽሐ፡ ምንቅስቓሳት ምእራም፡ ከሰርን ሳሕልን ከርኣ ምስ ጀመረ፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ውድብ ነቲ ዘቅርብዎ ዝነበሩ ሕቶታት ንጹር መልሲ ብዘይምርካቦም ብዓቅሊ ጽበት ክንቀሳቐሱ ምስ ጀመሩን፡ ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ውድብ ካብ ሽግሩ ክድሕኖ ዝኽእል ብቑዕ መሪሕነት ከም ዘይብሉ ብሩህ ኮነ።*

*መሪሕነት ዘይምህላው፡ ብፍላይ ኣብተን ድሕሪ ናይ* 1967 *ፍሽለታት፡ ምስ ምእታው* 1968*ን ናብ ንምርሕሓቕን ምፍንጫልን እምበር ንምቅርራብን ሓድነትን ዘይሰርሓ ናጻ ሃገራት ዝተለወጣ ወተሃደራዊ ክፍልታት ኢዩ ተጋሂዱ።*

*ወተሃደራዊ ክፍልታት፡ ብፍላይ ከኣ፡ ብፋይናንሳዊ ምንጭታት ይኹን ወተሃደራዊ ኩነታትን ተመሳሰልቲ ሰለዘይነበራ ከኣ ብግብሪ ናብ ሰለስተ* ***"ደርብታት"*** *ክብሃል ዝከኣል ተኸፋፊላ።*

- *ቐዳመይትን ካልኣይቲን ክፍልታት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ዝበለጸ ፋይናንሳዊ ምንጪ ነይሩወን። ሰፊሕ ሓራ ዝወጸ መሬት እውን ሰለዝነበረን ዝያዳ ርጉእ ሂወት የሕልፉ ነይረን።*
- *እንተ ሳልሰይቲን ሓሙሽይቲን ክፍልታት ንከበሳ ሓራ ንምውጻእ ኣብ ቀጻሊ ኵናት እየን ነይረን። ፋይናንሳዊ ምንጪ ይኹን ዘዕርፋሉ ሓራ መሬት እውን ኣይነበረንን። ከዝልቓ ኣብ ዝግደዳሉ እዋን ከኣ ሳልሰይቲ ክፍሊ ናብ ባርካ ላዕለዋይ ቦታ ቐዳመይቲ ክፍሊ ከተዝልቕ ከላ፡ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ከኣ ናብ ቦታ ካልኣይቲ ክፍሊ ተዝልቕ ነይራ። ዝረኸብኦ ሓገዛትን ምድግጋፍን እውን ኣይነበረን። ካልኣይቲ ክፍሊ ብውሳነ መራሒ እታ ክፍሊ ዑመር እዛዝ ንሓሙሽይቲ ክፍሊ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምግባራ ኣብ ጽንዓት ተጋደልቲ ኣወንታዊ ጽልዋ ነይሩዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ጉዳይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዓበየ ናይ ሓባር ስራሕ ዝሓተት ኢዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ክልቲኣን ክፍልታት ሕሱም ኩነታት የሕልፋ ነይረን።*
- *እንተ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ፋይናንሳዊ እቶታ ውሑድ'ኳ እንተነበረ፡ በቲ ላዕለዋይ ባይቶ ዘቅርበላ ዝነበረ ሓገዛትን ምስ ካልኦት ክፍልታት ብምንጽጻር ወተሃደራዊ ግንባራ እውን ብመጠኑ ህዱእ ሰለዝነበረን ካብ ሳልሰይቲን ሓሙሽይቲን ክፍልታት ኩነታታ ዝሓሸ ኢዩ ነይሩ።*

*ብዘይካ'ዚ ኩለን ወተሃደራዊ ክፍልታት፡ በቲ ኣብ* 1967 *ዝርእየኦ ፍሽለታት ጥራይ ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ሽግራት ናይቲ ውድብ ኣብ ምፍታሕ ተራኣን ብዘይ ምጽዋተን ኣብ ቅድሚ መብዛሕትኡ ህዝብን ተጋደልትን ክብረን ነክዩ ነይሩ።*

ኩሎም መራሕቲ ክፍልታት ደረጃታቱ ደኣ ይፈላለ እምበር ነቲ ዘጋጠሞም ፖለቲካዊ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ ጌጋታት ፈጺሞም ኢዮም። ኣብ ውሽጦም ከኣ እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ፖለቲካዊ ጸገማት ተራእዩ። እቲ ብጂኦግራፊያዊ መልክዕ ካብተን ካልኦት ርሒቓ ዝነበረት ራብዓይቲ ክፍሊ እውን እንተኾነት ካብ ነቐፌታታት ተጋደልቲ ናጻ ኣይኮነትን። ናይ ምእራምን ለውጥን ንፋሱን ኣብ ውሽጣ ከኣቱ ጀሚሩ። ልክዕ'ዩ መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንዝነቕፍዎ ብፍላይ ከኣ ደቂ ካልእ ቦታታት ዝኾኑ ይስጎም ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ስጉምቲ'ዚ ነቲ ዝነበረ ውሽጣዊ ሽግራቱ ዝፈትሕ ዘይኮነስ፡ ብዝያዳ ንስሙ ዘሽፍእ ኢዩ ነይሩ።

ድምር ናይዚ ኩነታት'ዚ ከኣ እታ ብዝያዳ ዝተጎድኣት ሓሙሻይቲ ክፍሊ ብዛዕባ ሰራዊት ሓርነት ብሓባር ዝሰርሓሉ ፍታሕ ንምንዳይ ተበግሶ ንኽትወስድ ደረኻ።

እታ ክፍሊ ዋላ'ኳ ድሕሪ ምስጋግ ሕሻል ዑስማንን ምህዳም ምክትሉ ዑስማን ቲናይ ናብ ሱዳንን[106] መሪሕነት እንተዘይነበራ፡ እቲ ተበግሶ ኣብቲ ንምእንትኡ ዝተኻየደ ኣኼባ ብወገን መራሕቲ ሓይልታትን ጋንታታት ገለ ካድራትን ኢዩ መጺኡ። እቲ መጸዋዕታ መራሕቲ ክፍልታት ነቲ ኩነታት ከጽንዑን ፍታሕ ከናድዩን ንኣኼባ ዝጠልብ ኢዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ከኣ ናብ መራሕቲ ክፍልታት ደብዳቤታት ተጻሒፉ።

እቲ ቀንዲ ምኽንያት ሓሙሻይቲ ክፍሊ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ንኽትወስድ ዝደረኻ፡ ሰውራዊ መሪሕነት ክሕግዛ ከምዘይክእልን ኣብ እቶታ ጥራይ ክትምርኮስ ከምዘለዋን ዘነጽር ደብዳቤ ምስ ተቐበለት ኢዩ ተባሂሉ። ኣኼባ ንምጽዋዕ ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዘይተመልሰትሉ ምኽንያት እውን እዚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

**ጉባኤ ዓረዳይብ፦** ኣብ ኩሉ ክፍልታት ዝነበረ ኩነታት፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ተጽዕኖ ዝፈጥር ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ተን ብላዕላይ ላዕላየን ርጉኣት ዝመስላ ዝነበራ ከምኒ ካልኣይትን ራብዓይትን ክፍልታት ከይተረፉ ኣብ ውሽጠን ከምኡ ኣይነበራን። ኩለን ካብቲ ኩነታት ቅልውላው ዝፈጥሮ፡ ምግናን እኳ እንተዘይስኣነ ብሓፈሻኡ ግን ቁኑዕ ዝነበረ፡ ነቐፌታታት ክድሕና ኣይካኣላን። ስለዚ ድማ ኩሎም መራሕቲ ብዘይምውልዋል ነቲ መጸዋዕታ ተቐቢሎምዎ። በዚ ከኣ እቲ ኣኼባ ብ16-6-1968 ኣብ "ዓረዳይብ" ተኻይዱ።[107] ኣብዚ ፍሉይ ትርጉም ዝለዎ፡ ዋላ ሓደ ካብ መራሕቲ ክፍልታት ብዛዕባ ሕጋውነት ናይቲ ብድሕሪ ሰውራዊ መሪሕነትን ላዕለዋይ ባይቶን ዝካየድ ዝነበረ ኣኼባ ዘይምሕሳቡ ኢዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ሰለስቲኡ ደረጃታት መሪሕነት ናይ ሰራሕ ዝምድናታት ክሳብ ክንደይ ከም ዘንቆልቆለ ዘረድእ ኢዩ።

- ጉባኤ ኣብቲ ዝዓበየ ጉዳይ፡ ማለት ቅልውላው ኩነታት ሰውራ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ክፍልታት ናይ ሓባር ስራሕ ዘይምህላው ኣደሂቡ ተመያይጡ።

---

[106] ዑስማን ቲናይ ድሕሪ ሱዳን ምህደሙ፡ ናብ ሜዳ ኣይተመልሰን።

[107] ኣብቲ ኣኼባ መራሕት ክፍልታት፡ ፖለቲካዊ ኮሚሽነራት፡ መራሕቲ ክፍሊ ታዕሊምን ተሓጋጋዚት ጋንታን ተሳቲፎም። እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ነይሮም።

| | |
|---|---|
| * ቀዳመይቲ ክፍሊ | ማሕሙድ ዲናይ - ሙሳ መሓመድ ሃሽም |
| * ካልኣይቲ ክፍሊ | ዑመር ሓምድ እዛዝ - ማሕሙድ ኢብራሂም (ቺኪኒ) |
| * ሳልሰይቲ ክፍሊ | ሓምድ ሳልሕ - ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም |
| * ራብዓይቲ ክፍሊ | ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ - ሮመዳን መሓመድ ኑር |
| * ሓሙሻይቲ ክፍሊ | ዓብደላ እድሪስ መሓመድ - ኢሳይያስ ኣፈወርቂ |
| * ካብ ክፍሊ ታዕሊም | ዑመር ዳመር - ዓብደላ እድሪስ ድራድ |
| * ካብ ተሓጋጋዚት ጋንታ | መሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ |

መራሕቲ ክፍልታት፡ መራሕቲ ሓይልታት፡ ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት፡ ናይ ጥዕና ሓላፍቲ፡ መራሕቲ ክፍሊ ተዕሊምን ተሓጋጋዚት ጋንታን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ጉባኤ ንክኻየድ ድማ ወሰኑ።

- ብድሕሪ'ዚ ጉባኤ ንሽግራት ሳልሰይቲን ሓሙሽይቲን ክፍልታት ንምፍታሕ ኢዩ ተመያይጡ። ሰለዚ ከአ ቀዳመይቲ ክፍሊ ንሳልሰይቲ ክፍሊ ክትሕግዝ ካልኣይቲ ክፍሊ ከአ ንሓሙሽይቲ ክፍሊ ክትሕግዝ ወሲኑ።

ጉባኤ **"ዓረዳይብ"** ዋላኳ ብዙሕ ደንጉዩ እንተመጸ፡ ብመራሕቲ ክፍልታት ዝተኻየደ ኣገዳሲ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ። ውጽኢት ናይቲ ኣኼባ ድማ ነቲ ሓፋሻዊ ጠለብ ህዝቢ ዝነበረ ምቅናዕ ጠቕላላ ጉባኤ ንምብጻሕ ቅኑዕ መእተዊ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣኼባ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ነቲ ብቀቢላዊ መልክዕ ኣብ ትሕቲ መራሕቱ ተኸፋፊሉ ዝነበረ ሰራዊት ሓርነት ሓድነት ምርግጋጽ ምውሳን ሓሊፉ ካልእ ክገብር ዝክእል ኣይነበረን። ብሓቂ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንሰባት ኣመና ዘሻቕል ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ክፍልታት ንምፍንጫል ዝዕድም ዝነበረ ናይ ፍልልያት ኩነታት ኢዩ።

እቲ ዝዓበየ ነጥቢ ድኽመት ኣኼባ ዓረዳይብ ክልቲኦም ላዕለዋት መሪሕነታት ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ኣብ ዘይኣመኑሉ ምኽያዱ ኢዩ። ልክዕ'ዩ ክልቲኡ መሪሕነት ንሽግር ሰውራ መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ምርካብ ዓቕሚ ከምዘይብሎም ኣረጋጊጾም ኢዮም። ካብቲ ናይ ምግባር ዘለዎም ዓቅሚ ብምብጋስ ተራ ናይ ነፍሲ ወከፎም ኣብ ምስካም ሓላፍነት ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብቲ ንሰውራ ዘጋጠመ ሽግር ግን ክልቲኦም ጉቡእ ተገዳስነት ኣየርኣዩን። ሰለዚ ድማ እቶም ዝያዳ ግዳይ ነቐፌታ ዝኾኑ መራሕቲ ክፍልታት ንኽስግርዎም እኹል ምኽንያታት ነይሩ። እምብኣርከስ፡ ክልቲኦም መሪሕነታት ነቲ ብወገን መራሕቲ ክፍልታት ዝተፈጸመ ብድሆን ካብ ተማእዛዝነት ምውጻእን ትም ኢሎም ድዮም ክርእይዎ? ክልቲኦም መሪሕነታት ከ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ከም ምጅማር ዕልዋ ኣብ ልዕሊኦም ኣይቆጽርዎን ዶ? ኣኼባኛታት ዓረዳይብ ከ ነቲ ብክልቲኡ መሪሕነታት ክመጾም ዝኽእል ብድሆታት ከገጥምዎ ድልዎት ድዮም ነይሮም?

**ጉባኤ ዓንሰባ፡-** እዚ ብጉባኤ ዕረዳይብ ዝተወሰነ ጉባኤ'ዚ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ዕለት ኣይተኻየደን። ኣብቲ ዝተወሰነ ዕለትን ቦታን ወከልቲ ሰለስተ ክፍልታት ሳልሰይቲ፡ ራብዓይትን ሓሙሽይትን እኳ እንተ ተረኽቡ፡ ናይ ቀዳመይቲን ካልኣይትን ክፍልታት ግን ኣይተረኽቡን። ተሳተፍቲ ነቲ ጉባኤ ንገለ መዓልታት ድሕሪ ምምሕልላፎም ድማ፡ ክልቲኣን ክፍልታት ኣብ ዘይተረኽባሉ ወከልቲ ናይተን ሰለስተ ክፍልታት ብ10-9-1968 ኣብ **"ኦሮታ"** ጉባኤኦም ኣካየዱ። ብምኽንያት ጸጥታዊ ኩነታት ከአ ጉባኤ **"ዓንሰባ"** ተባሂሉ ተሰመየ።

ጉባኤ ዓንሰባ ሓድነት ናይ ሰለስቲኣን ክፍልታት ብምርግጋጽ **"ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት"**[108] ዝተሰመየ ሓደ መሪሕነት መሪጹ። ከምኡውን እተን ክልተ ክፍልታት ናብ ሓድነት ንኽኣተዋ ኩፉት ኣፍደገ ገደፈለን። ጉባኤ፡ ንመራሕቲ ክልቲኡ

[108] ጉባኤ ካብዞም ዝስዕቡ "ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት" መሪጹ።

| | |
|---|---|
| 1. መሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ- ኣቦ መንበር | 7. ዑመር ዳመር |
| 2. ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም ጻሓፊ | 8. መሓመድ ዑመር ኣቡጥያራ |
| 3. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ | 9. ኣብርሃም ተወልደ |
| 4. መሓመድ ዓሊ ዑመሮ | 10. ዓብደላ ዮሱፍ |
| 5. ዓብደላ እድሪስ መሓመድ | 11. ሓምድ ሳልሕ ስሌማን |
| 6. ሮመዳን መሓመድ ኑር | 12 ዓብደላ ሳፊ |

ክፍልታት ኣብቲ ባዕላቶም ዝወሰንዎ ጉባኤ ብዘይ ምስታፎም ብትሪ ዝነቅፍን ንውጽኢት ጉባኤኡ ዝገልጽን ኣዋጅ ኣውጺኡ።[109]

መራሕቲ ሰለስቲኡ ክፍልታት፡ እቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ እንታይ ውጽኢት ክስዕብ ከምዝኽእል እናተረድኡ ከለው ኢዮም ወሲዶምዎ። እንተ ወሓደ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ክንዲ ብመሰረት ዕላማ ኣኼባ ዓረዳይብ ኣብ ሓደ ዝስምር ኣብ ሰለስተ መሪሕነታት ወይ ወገናት ከመቃቐል ምኽኑ ርዱእ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ናይቲ ብግዝያዊ መሪሕነት ዝወጸ ኣዋጅ ጉባኤ ብፍላይ ኣብቲ ወከልቲ ሰለስቲኡ ክፍልታት፡ ንምእንቲ እተን ክልተ ክፍልታት ንኽሳተፉ ዘርኣዩ ትዕግስትን ነዊሕ ምጽባይን ኣተኲሩ። እዚ ከኣ ኣብቲ ኲሉ ነገራት ንፖለቲካዊ ትርጉማት ቅሉዕ ዝነበረሉ እዋን ካብ ክመጾም ዝኽእል ክሲታት ናጻ ንኽኾኑ ዝገበርዎ ፈተነ ኢዩ ዝመሰል።

ድሕሪ ጉብኤ ብቐጥታ ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ መጻኢ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዓቢ ጽልዋ ዝነበሮ ክልተ ኣገደስቲ ዓበይቲ ስጉምቲታት ወሲዱ። ቀዳማይ **"ምትሕንፋጽ ሰራዊት"** ዝተሰምየ ዳግመ ስርርዕ ሰራዊት ሰለስቲኡ ክፍልታት ክኸውን ከሎ፡ እዚ መሰርሕ'ዚ ብዓወት ተዛዚሙ። እንተኾነ ግን ሓንቲ ሓይሊ ካብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብቲ ናይ **"ምትሕንፋጽ"** መስርሕ ምእታው ነጺጋ። ካብ ሰሉሳዊ ሓድነትን ካብተን ክልተ ክፍልታትን ብምርሓቕ ድማ፡ እቲ ዝተፈጸመ ንጉዳይ ሓድነት ዘይኮነስ ብዝያዳ ንምፍንጫል ዘዕምቑ ኢዩ ብምባል ንነፍሳ ከም **"ሻራ ዘይብላ ሓይሊ"** ገለጸት።

እንተ'ቲ ካልኣይ ስጉምቲ፡ መሪሕነት ስሉስዊ ሓድነት ውጽኢት ጉባኤ ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ንምግላጽን ናቱ ደገፍ ንምርካብን[110] ካብ ኣባላቱ ናብ ሱዳን ልኡኽ ሰዲዱ። ብልክዕ ከኣ እቲ ልኡኽ፡ ኣብተን ኣብ ከተማታት ሱዳን ኣብ ከም ፖርትሱዳን፡ ከሰላ፡ ሓልፉ፡ መሰናዕ፡ ግርባ፡ ገዳርፍ፡ መደኒን ካርቱምን ዝርከባ ቀንዲ ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ሰፊሕ ኣኼባታት ኣካየደ። ብድሕሪኡ ከኣ ምስቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝነበሩ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ተራኺበ። እቲ ልኡኽ ኣብቲ ኣብ ሱዳን ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ክሳብ መጋቢት 1969 ዝጸንሐሉ እዋን ከኣ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ደገፍትን ተቓወምትን ኩነታት ዝሓርበቶምን ወገናት ብርክት ዝበለ ዘተታት ኣካየዱ። **"ህዝባዊ ኮሚተታት"** ዝተሰመያ ከኣ ካብ ደገፍቲ ወገናት ኣብተን ጨንፈራት ኮሚተታት ኣቆመ።

## 6. መርገጺታት ኣብ ልዕሊ ስሉሳዊ ሓድነት፡

ስሉሳዊ ሓድነት ንኩሉ ከም ሃንደበታዊ ተርእዮ ኢዩ መጺኡ። ዋላ ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ሰራዊት ሓርነት ከይተረፈ ሃንደበት ኢዩ ነይሩ። ከምዚ ጎደሎ ዓይነት ሓድነት ክመጽእ ዋላ ሓደ ዝጽበዮ ጉዳይ ኣይነበረን። እቲ ሃንደበት ዝገብሮ ከኣ ቅድሚኡ ዝተወሰደ ስጉምቲታት ብምስጢር ይፍጸም ምንባሩ ኢዩ። ንኣብነት ውጽኢት ኣኼባ ዓረዳይብ ኣይተገለጸን። ነቲ ጉዳይ ዘካይዱ ዝነበሩ ክሳብ እቲ ዝተረፈ ስጉምቲ ምክያድ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዝፍጽም ብምስጢር ኢዮም ሒዞምዎ። ውጽኢት

---

[109] እቲ ዘሕዝን ነዚ ኣገዳሲ ኣዋጅ'ዚ ኣይረኸብናዮን። እንተ ንረኽብ ኔርና ንብዙሕ ዘድልየና ነገራት ኣብ ምፍላጥ ምሓገዘና ኔሩ። ሰለዚ ከኣ ኣብ ክትዕና ኣብቶም ቀንዲ ዝጠቐሶም ጉዳያት ጥራይ ክንድረት ኢና።

[110] እቲ ልኡኽ ብኣባላት ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት፡ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ፡ ኢሰይያስ ኣፈወርቂ፡ ሙሓመድ ዑመር ኣቡጥያራን ዑመር ዳመርን ዝቆመ ኢዩ ነይሩ።

ናይዚ ምስጢራዊ ኣተሓሕዛ'ዚ ድማ፡ መሰረታት ውድብ ክሳብ ውጽኢት ጉባኤ ዓንሰባን ኣዋጅ ምቛም ስሉሳዊ ሓድነትን ብሃንደበት ዝመጾም ብዛዕባ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ምዕባላታት ዝፈልጥዎ ነገር ኣይነበረን።

እምባኣርከስ፡ ኣብ ልዕሊ ስሉሳዊ ሓድነትን እተን ክልተ ክፍልታትን ከመይ ዓይነት መልሰ ተግባር ነይሩ? ናይ ዝተፈላለዩ ወገናት መርገጺታት ከ ብከመይ ቆይሙ? ካብዚ ኩሉ ከ እንታይ ውጽኢት ተረኺቡ?

**ጨንፈራት ሱዳን፡** ስሉሳዊ ሓድነት፡ መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሱዳን ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ምንቅስቓሳት ብቀዳምነት ከኣ ምንቅስቓስ ምእራም ብዘቅረብዎ ዝተፈላለየ ጉዳይት ኣብ ብርቱዕ ነውጺ ኣንከለው ኢዩ መጺኡ። ኣብቲ እዋን እቲ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኣብ ክልተ ገፋሕቲ ወገናት ኢዩ ተመቂሉ ነይሩ። እቲ ቀዳማይ ወገን ንመሪሕነታት ውድብ **"ዝቓወም"** ኮይኑ፡ ብምንቅስቓስ ምእራም ዝግለጽ ምትእኽኻብ ኢዩ። እዚ ንመሪሕነታት ብፍጹም ዝነጽግን ከም መተካእታ ድማ ንምርግጋጹ ዘኽእል ኣገባባት ከይወሰነ ጠቅላላ ጉባኤ ዝጽውዕን ዝነበረ ወገን እዚ ክሳብ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ጠለባቱ ኣነጺሩ ዝቕርቦ ብዘገምታ ዝእከብ ዝነበረ ወገን ኢዩ። እዚ ወገን'ዚ ከኣ **"ንጹጊ"** ወገን ተባሂሉ ክሰመ ይከኣል። እንተ'ቲ ካልኣይ ወገን ኩሎም ወገናት ዝሳተፍዎ መዋጽኦ ንምርካብ መሪሕነት ነቲ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ ዝብል ነይሩ። እዚ ወገን'ዚ ከኣ በቲ ኣብ ጎኑ ዝነበሩ መሰረታት ክርኣ ከሎ ዝሰፍሓ ኢዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ብንጥፈታቶምን መግለጺታቶምን ነቲ ፖለቲካዊ ኩነታት መሊሶም ዝሓላልኹ ዝነበሩ ከም ናይ ምንቅስቓስ ከሰርን ሽግር ሳሕልን ማርያን ናይ ዝኣመሰሉ ጠለባት እውን ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ብርቱዕ ነውጺን ኣብቲ ኩሉ ዝቐርብን ኣብ ኣእምሮ ዝመጽእ ጉዳያትን ኣፈታትሓኡን ሰፊሕ ክትዓት ዝካየደሉ ዝነበረ ኩነታት ከኣ ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ናይ ሱዳን ዑደት ጀሚሩ። ኣኽባታት ክካየድን ስሉሳዊ ሓድነት ንኽቐውም ዝደፍኦ ምኽንያታት ክገልጽን ነቲ ብመሰረቱ ዝጸንሐ ወጥሪን ነውጺን መሊሱ ዘጋድድ መወዳእታ ዘይብሉ ሕቶታት ክምልስን ጀመረ።

ሓደ ካብቲ ኣብ ኣገላልጻ ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ኣቓልቦ ዝስሕብ ዝነበረ መራሕ ራብዓይቲ ክፍልን ኣቦ መንበር እቲ ልኡኽን ኣብቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ ኣዋጅ ጉባኤ ዓንሰባ ተመርኲሱ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ናይተን ኣብ ሓድነት ዘይኣተዋ ክልተ ክፍልታት ዝካይዶ ዝነበረ ሓያል መጥቃዕቲ ኢዩ። እዚ ኣገላልጻ'ዚ ኣብ ክንዲ ናይ ሓድነት ዕድል፡ ብዝያዳ ንሰራዊት ዝመቃቅል ብምንባሩ ከኣ ፍሉይ ኣቓልቦ ዝግበረሉ ዝነበረ ኢዩ። ልክዕ'ዩ እቲ ልኡኽ እተን ክልተ ክፍልታት ናብ ሓድነት ንኽጽንበራ ኣፍደገ ክፉት ምዃኑ የረጋግጽ እኳ እንተነበረ፡ ብከመይ ናብ ሓድነት ይኣትዋ ግን ንጹር ዝኾነ ኣረኣእያ ኣይነበሮን፡ መብዛሕትኡ ሕቶታት ከኣ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕቶ'ዚ ብፍላይ ብወገን'ቲ ልኡኽ ዝወሃብ ዝነበረ መልሲ ክልቲኣን ክፍልታት ናብቲ ዝተረጋገጸ ሓድነት ንኽጽንበራ ናብ ምጽዋዕ ዝቐረበ ብምንባሩ፡ እዚ ከኣ፡ ሓደ ካብቲ ንስሉሳዊ ሓድነት ናይ ምቅዋም ጠንቂ ኮይኑ። ብኣረኣእያ ተቓወምቲ ከኣ ዕላማ ሱልሳዊ ሓድነት ናጻ ውድብ ምቛም ኮይኑ ተራኢዩ።

ካልእ ንተቓወምቲ ኣብ ዕላማታት መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት ዝያዳ ንኽጠራጠሩ ዝደረኾም ድማ፡ እቲ ልኡኽ ካብ ደገፍቱ **"ህዝባዊ ኮሚቲታት"** ዝሰመየን ኮሚተታት ምቛሙ ኢዩ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ከኣ ንህዝቢ ደረጃ ብደረጃ ስሒቡ ናብ ትሕቲኡ ከም ዝኣቱ ብምግባር ሓድሽ ውድብ ናይ ምቛም ባይታ ንምጥጣሕ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ ከም ዝኾነ ተተርጎመ። ብዘይካ'ዚ ከኣ ብሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ

ዝምራሕ ልኡኽ ብምዃኑ፡ እቲ ሓድነት ንሓደ ካብቶም መራሕቲ ናይቲ ግርጭት ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾነ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዘደልድልን ጸግዒ ዝኸውንን ከይከውን ስግኣታት ነይሩ።

ንስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ምድጋፍ ቀዳማይ ተበግሶ ዝወሰዱ መብዛሕትኦም እቶም መሰረታት ምንቅስቓስ ምእራም ዝነበሩ **"ነጻጊ ወገን"** ኮይኖም ገለ ካብኣቶም ናይ ተደናጋጺ መርገጺ ወሲዶም። ከምዚ ኢሉ ከኣ ኩሎም ተቓወምቲ ባእታታት ኣብ ከሰላ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ጉዳይ ማርያ ብምልዓሎም ከም ቀቢለውያን ተቆጺሮም ብሰውራዊ መሪሕነት ካብ ውድብ ዝተሰጉ፡ መብዛሕትኦም'ቶም ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ሳሕል ዝተቃልቀሉ ተቓወምቲ ፖርትሱዳንን ጸግዒ ምንቅስቓስ ምእራም ሒዞም ዝነበሩ ጨንፈራት **"ሓልፋ"** **"መስናዕ"**ን **"ግርባ"**ን ከምኡውን ባእታታት ምእራምን ካልኦትን ኣብ **"ገዳርፍ"**ን ካልእን፡ ኩሎም **"ህዝባዊ ኮሚተታት"** ዝቖመሉ መሰረታት ስሉሳዊ ሕእድነት ኮይኖም።

እንተ መብዛሕትኦም መሰረታት ውድብን ጨንፈራትን ንስሉሳዊ ሓድነትን መግለጺታት ልኡኹን ምፍንጫል ዘዕሙቐን ዕምሪ ሽግር ሰውራ ዘናውሕን ኮይኑ ሰለዝተራእዮም ኣብቲ ሓድነት ኣሉታዊ መርገጺ ኢዮም ወሲዶም። ንመሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት፡ ሓድነት ሰራዊት ኣረጋጊጽና ምእንቲ ከይብሉ ድማ፡ ነቲ ኣረጋጊጽናዮ ዝበልዎ ሓድነት **"ከፊላዊ ሓድነትን"**ን **"ስሉሳዊ ሓድነትን"**ን እናበሉ ይገልጽዎ ነይሮም። እቲ መሪሕነት ናይቲ ሓድነት ኣብቲ እዋን'ቲ ዘይፈትዎ ዝነበረን ክሳብ ሕጂ ስም ናይቲ ሓድነት ዝኾነን **"ስሉሳዊ ሓድነት"** ዝብል ቃል ከኣ እቶም ነቲ ሓድነት ዝቓወሙ ዝነበሩ ሓይልታት ዘውጽእዎ ኢዩ ነይሩ። **"ንከፊላዊ ሓድነት"** ንምኹላፍ ከኣ **"ጠቕላላ ሓድነት"** ዝብል ጭርሖ ኣልዓሉ። እዚ ጭርሖ'ዚ ድማ ኣብቲ ኣብ መንጎ ደገፍትን ተቓወምትን ሰሉሳዊ ሓድነት ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ መኻተታት ዝማዕበለ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ሓይሊ፡ መሪሕነት ካብቲ ሽግር መዋጽኦ ንምርካብ ፍጹም ደኺምሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ነቲ ኣልዒሉዎ ዝነበረ ጭርሖ **"ጠቕላላ ሓድነት"** ብከመይ የረጋግጾ ይፈልጥ ሰለዘይነበረ፡ ብዘይካ ንሓድነት ብምጽዋዕን ብዛዕባኡ ሓፈሻዊ ርእይቶ ምቕምን ካልእ ዝገበሮ ነገር ኣይነበረን።

ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ ዓመት'ቲ 1968 ኣብ ሱዳን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራን፡ ጨንፈራቱን ኣብያተ ጽሓፈቱን ኣብ ክልተ ነንሓድሕዱ ምስ ሓድነት፡ ጸረ ሓድነት ብዝብል ሓረጋት ዝካሰስን ኣብ ምወዳእታ ዘይብሉ ሓንሳብ ብህድኣት መብዛሕትኡ ግዜ ብትሪ ዝዛተን ወገናት ተመቓቒሉ።

**ክፍልታት ቀዳመይትን ካልኣይትን፡** ኣብዚ ብቀዳምነት ዝላዓል ሕቶ፡ መራሕቲ ቐዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ኣብ ኣኽባ ዓረዳይብ ተሰማሚዖም ከብቅዑ፡ ሰለምንታይ ኢዮም ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜን ቦታን ወተሃደራዊ ጉባኤ ዘይተረኸቡ? ዝብል ኢዩ።

እዚ ሕቶ'ዚ ሓደ ካብቲ ክሳብ ሕጂ ኣዕጋቢ መልሲ ዘይተረኽበሉ ሕቶታት ኢዩ። ናይዚ ቀንዲ ጠንቂ ከኣ መራሕቲ ክልቲኣን ክፍልታት ንምኽንያት ዘይመምጽኢኦም ዘይምግላጾም ኢዩ። ሰለዚ ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ እንገብሮ ፈተነ ብመሰረቱ ኣብቲ ሽው ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት እንገብሮ ንባብ ዝምርኮስ ክኸውን ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ንባብ ጥራይ ከኣ ኢዩ ንሓቂ ዝቐረበን ምስቲ ሽው ዝነበረ ክውንነት ዝጠበቐን ግምታዊ መልሲ ንኽንህብ ዝሕግዘና። እቲ ፈተነ ብዘይ ጥርጥር ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት ኢዩ።

እቲ እዋን'ቲ መራሕቲ ክፍልታት ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ በብውልቂ ዝምእዘዝሉን ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ብወገኖም በብመገዶም ንመራሕቲ ክፍልታት ንምኽሰብ ዝጽዕርሉ ከም ዝነበሩ ብዙሕ ዝዝረበሉ ዝነበረ እዋን ኢዩ ነይሩ። ንባዕሉ ኣመዳድባ መራሕቲ ክፍልታት ነዚ ኣብ ግምት ዝኣተወ ኢዩ ነይሩ። እቲ ተማእዛዝነታት ከኣ ብከምዚ ዝስዕብ ዝግለጽ ነይሩ።

* መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ ዑስማን ሳልሕ ሳበ
* መራሒ ቐዳመይቲ ክፍሊ ማሕሙድ ዲናይ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም
* መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ዑመር እዛዝ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ

መራሕቲ ሳልሰይቲን ሓሙሽይቲን ክፍልታት ንክልተ ምኽንያታት ውሱን ተማእዛዝነት ኣይነበሮምን። ቀዳማይ፡ ኩነታት ክልቲኣን ክፍልታት ርጉእ ብዘይ ምንባሩን መራሕ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዳርጋ ኣብቲ እዋን'ቲ ማለት 1968 ብተጋደልቲ ካብ መሪሕነት ክፍሉ ምስጓጉን[111] መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ድማ ኣብ መጨረሽታ 1967 ናብ ጸላኢ ኢዱ ምሃቡን ኢዩ። እንተ'ቲ ካልኣይ ምኽንያት ኣብ ሰለስቲኦም ተቆራቆስቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ብወገን ንክልተኣን ክፍልታት ዝውክል ዘይምንባሩ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ዘረባና ኣብቶም ዝተጠቕሱ ሰለስተ መራሕቲ ክፍልታትን ሰለስተ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ጥራይ ዝተሓጽረ ክኸውን ኢዩ። ልክዕ'ዩ ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ክፍላ 1967 ኣብ ኣባልነቱ ሓሙሽተ ካልኦት[112] ወሲኹ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቶም ሓደሽቲ ኣባላት ዝኾነ ጸላዊ ተራ ሰለዘይተጻወቱ፡ ብዛዕባ ዘይሰርሕዎ ጉዳይ ምዝራብ ኣገዳስነት የብሉን።

ገለ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት እውን ካብቲ ዝነበረ ኣመዳድባታት ናጻ ኣይኮኑን። ነዚ ከኣ ቀጺልና ክንርእዮ ኢና።

- ኩነታት መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ምትእስሳር መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሕቡእ ነገር ኣይነበረን። ኣሃዱታት ራብዓይቲ ክፍሊ ናብቲ ዝተመደበለን ቦታ ምስ በጽሓ፡ ኣብ መንጎ መሪሕነት ናይታ ክፍልን ኣባል ላዕለዋ ባይቶ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ብመንገዲ ደብዳቤታትን ጸብጻባትን[113] ርክባት ብቐጥታ ጀመረ። ምስ ግዜ ከኣ ራብዓይቲ ክፍሊ ቀስብቀስ ካብ ሰውራዊ መሪሕነት ክትንጸል ጀመረት። ዳርጋ ካብ መጀመርታ 1967 ከኣ ብዘይካ ንሕክምና ናብ ፖርትሱዳን ዝለኣኹ ውጉኣትን ሓሙማትን ተጋደልቲ እቲ ርክብ ፍጹም ተቛሪጹ። ሰውራዊ መሪሕነት ምስቲ ካልእ ዝህቦ ዕማማት ንተጋደልቲ ራብዓይቲ ክፍሊ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዝህብ ጨንፈር ኣብ ፖርትሱዳን ኣቑሙ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ሰውራዊ መሪሕነት በቲ መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ዝወሰዶ "ዘይሕጋዊ" ዝምድና ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ተቓውምኡ ይገልጽ ነይሩ። ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ ስዓድ ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝጠቐስናዮ ዘይተዘርገሐ መዘክራቱ ንተቓውምኡ ኣመልኪቱ ኣብ ዝጸሓፎ። "**ኣብ መንጎ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ቅሉዕ ቁርቁስ ተጀሚሩ። ተጋደላይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ድማ ከም ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ቅድሚ ብጾቱ ንኩሉ ኣፍደገታት ዓጽዩን፡ ብስም ሰውራ ኤርትራ ዝረኽቦ ንዝነበረ ሓገዛት ከኣ ኣብ ውልቃዊ ረብሓኡ ኣውዒልዎን ከም**

---

[111] ሰለዚ ኣብ ጉባኤ ዓረዳይብ ምክትሉ ሓምድ ሳልሕ ኢዩ ተሳቲፉ።
[112] እቶም ኣብ ላዕላዎይ ባይቶ ዝተወሰኹ ኣባላት 1. ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድ 2. ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽም 3. ጣሃ ሙሓመድ ኑር 4. ዑስማን ኢድሪስ ኺያር 5. ታድላ ባይርኡ ኢዮም።
[113] ዑስማን ደንደን ኣብቲ ሹናት ኤርትራ ዝብል መጽሓፍ ገለ ካብቲ ደብዳቤታት ኣስፊሩ ኢዩ።

***ድላዩ ተጠቂምሉን። ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ወተሃደራዊ ባይታ ንኽኾኖ ድማ ብትእዛዛቱ ንኽሰርሕ ንመራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ መሪጹ።"*** ኢሉ።

ኣብ 1967 ብዘይ ኣፍልጦ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ መንጎ ራብዓይትን ስልሰይትን ክፍልታት ናይ ሓድነት ፈተነታት ተኻይዱ ነይሩ። እዚ ድማ ንጽልዋ ዑስማን ሳልሕ ሰባ ኣብ ሜዳ ንምስፋሕ ዝተገበረ ፈተና ኢዩ ዝብል ስግኣታት ኣብ ልዕሊ ሰውራዊ መሪሕነት ፈጢሩ። እቲ ሓድነት ብስምምዕ መራሕቲ ክልቲኡ ክፍልታት ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ ኣሃዱታት ክልቲኡ ክፍልታት ብደረጃ ጋንታታት (ማለት ሓንቲ ጋንታ ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ) ከም ዝታሓናፈጽ ተገይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ሓድነት ምስ ኩሉ'ቲ ኣብ ምምካት ጸላኢን ምስቲ ኣብ ዶብ ክልቲኡ ክፍልታት ዝነብር ዝተኣሳሰረ ህዝቢ ንምስራሕን ዝነበሮ ኣወንታዊ ውጽኢት ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኢዩ ፈሺሉ። ምኽንያት መፍሽሊኡ ግን ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ ነገር የለን። ብዝኾነ ግን እቲ ስጉምቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ብወገን ሰውራዊ መሪሕነትን ካልኦት ካድራት ውድብን ብፍቓድ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከምዝተገብረ ኢዩ ዝግለጽ ነይሩ።

ኣብቲ መራሕቲ ክፍልታት ብርቱዕን ሓያልን ነቐፌታታት ዝገጥምሉ ዝነበሩ እዋን፡ ወገናዊ ዝምድና ኣብ መንጎ ዑስማን ሳልሕ ሳበን መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊን ናብ ዝላዓለ ደረጃ በጺሑ ዝብል ዘረባታት ብሰፊሑ ተዘርጊሑ። መራሒ ክፍሊ ንደቂ ምጽዋዕን ከባቢኣን ብባሕሪ ገይሩ ናብ ወጻኢ ይልእኽ፡ እቲ ብግብሪ ኣብ ትሕቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝነበረ ናይ ወጻኢ ኣብያተ ጽሕፈት ድማ ተቐቢሉ ኣብ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዕድል ከም ዝረኽቡ ይገብር፡ ዝብል ካብቲ ኣብቲ እዋን እቲ ዝደጋገም ዝነበረ ሕሜታታት ኢዩ ነይሩ። ምናልባት ኩሉ'ቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝበሃል ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ምኽንያቱ ዝተጋነነ ቤላ ቤለውን ኣንጻር ተወዳዳሪኻ ናይ ፕሮፓጋንዳ ኣገባባት ምዝውታርን ልሙድ ዝነበረሉ እዋን ብምንባሩ። ይኹን'ምበር ኩሉ ዝባሃል ንምጽላም ጥራይ ኢዩ ክባሃል እውን ኣይካኣልን። ሰለዚ ከኣ ብግምትና እቲ ሓቂ ኣብ መንጎ ምግናንን ምኽሓድን ኢዩ ዘሎ።

- ኩነታት ካልኣይቲ ክፍሊ፡- ብዛዕባ ፍሉይ ዝምድና ኣብ መንጎ መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊን ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ክትዛረብ ካብቲ ናይተን ካልኦት ክልተ ክፍልታት ኩነታት እቲ ዝበርትዐ ኢዩ። ዑመር እዛዝ ምስ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነትን ላዕለዋይ ባይቶን ዝገብሮ ዝነበረ ርክባት ኣመና ውሑድ ሰለዝነበረን ኣብቲ ናይቲ ውድብ ፖለቲካዊ ሽግራት ብዙሕ ይኣቱን ይዛረብን ብዘይምንባሩን ዝወርዶ ዝነበረ ነቐፌታትን ክሲታትን እቲ ዝወሓደ ኢዩ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን ምስ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ምትእስሳር ከም ዝነበሮን መሃንድስ ናይቲ ዝምድና ድማ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነት ዑመር ሓጅ እድሪስ ምኳኑን ኣብዝን ኣብትን ዝደጋገም ዝነበረ ጉዳይ ኢዩ። እንተ ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ ስዓድ ኣደም ኣብ መንጎ ክልቲኦም ኣባላት ፍሉይ ዝምድና ነይሩ ካብ ዝብሉ ሓደ ኮይኑ፡ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ተዘክሮታቱ፡ ***"...ታጋዳላይ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ንብጻዩ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ናይ ወጻኢ መዳይ ኣብ ምግጣሙ ምስ ፈሸለ፡ ኣብ ሱዳን ኣብ መሰረታት ሓፋሽ ወዲታቱ ንምእላም፡ ምስ መሰረታት ሓፋሽ ናይ ከበሳ ንምርኻብን፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ከም ድሕሪ ባይታ ንኽኾኖ ምእንቲ ምስ መሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ ቀጻሊ ርክባት ንምክያድን ናብ ሱዳን ኢዩ ተመሊሱ። እዚ ኩሉ ከኣ ነቲ ኣብ ወጻኢ ንኽይንቀሳቐስ ዝዓገቶ ብጻዩ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምምካት ኢሉ ኢዩ።"*** ይብል።

- ኩነታት ቀዳመይቲ ክፍሊ፦ ኣብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዘጋጠመ ፍጻሜታት፡ ብፍላይ ከኣ ብውሳነ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ቅትለት ሓረስቶት ከበሳ ኣብ ሽምባረ ጋሽን ቅትለት ዜጋታት ኩናማን ምንዳድ ዓዲታቶምን ምህጋር ኣምኢት ካብ ጥሪቶምን ንመራሒ ክፍሊ ዘሕትት ሓደገኛ ፍጻመ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ከም መልሰ ተግባር ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኣይተወሰደን። ሓደ ነገር ከምዘይተፈጸመ እቲ ጉዳይ ተስጊሩ ተሪፉ። እቲ ዘገርም ድማ ምርመራታትን ፍርዲታትን ንኽካየድ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዘቅርቦ ዝነበረ ሓሳባት ብዘይ ገለ ቁምነገር ምትራፉ ኢዩ። እሞ ከ ድኣ ንመራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝካላኸል ዝነበረ መን'ዩ?

እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ምስ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ስምምዕ ኣይነበሮን። ክልቲኦም ወገናት ኣብ ነንሓድሕዶም ይካሰሱን ይጻልኡን ነይሮም። እዚ ከኣ ካብቲ ክፍልታት ዝቆማሉ እዋን ብቐጥታ ኢዩ ዝጀምር። ካብቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ21-1-1966 ናብ እድሪስ ገላውዴዎስ ዝጸሓፉ መልእኽቲ፡ እድሪስ ገላውዴዎስ ብተግባራት ዲናይ ጠሪዑሉ ከም ዝነበረ ኢና ንርዳእ። መልሲ ዑስማን ሳበ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። "**ጉዳይ ዲናይ ብዝምልከት ስለምንታይ ብህዱእ ኣገባብ ክትኣልይዎ ዘይትፍትኑ? እንተድኣ ዘይከይኑልኩም ድማ ከምቲ ንሱ ንሙሓመድ ዑመር (ኣቡጥያራ) ዝገበሮ፡ ምስ መንእሰያት ንሰልጣና ኢልኩም ልኣኹዎ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ካብ እድሪስ (እድሪስ ሙሓመድ ኣድም) ደብዳበ ጽሒፍሉ። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ ካብ መሪሕነት ክፍሊ ክእለ ይኽእል ኢዩ። ኣብ መሪሕነት ክፍሊ ምግዳፉ ግን ሓደገኛ ኢዩ።**" ይብል። እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣድም ዘተኣሳሰሮ ነዊሕ ዓርክነታዊ ዝምድና ነይሩዎ። እዚ ሓቂታት'ዚ ከኣ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ምስ ድሌት ዓርኩ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ከይጋጮ ሰለዝፈርሐ እምበር፡ ኣንጻር ዲናይ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ከምዘይብል ኢዩ ዘረድኣና። ሰለዚ፡ ቀንዲ ሓላዊ ንመራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ባዕሉ ምንባሩ ክንግምት ንኽእል። ምስዚ ኩሉ ግን ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ሙሓመድ ስዓድ ከምቲ ኣቐዲሙ ንዑስማንን እድሪስ ገላውዴዎስን ዝነቐፎም፡ ንኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኣይነቕፍን ኢዩ። ከምኡውን ኣብ መንጎ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶን መራሒ ቐዳመይቲ ክፍልን ፍሉይ ርክብ ከምዝነበረ ኣይዛረብን ኢዩ። ይኹን'ምበር ንሱ'ውን ጸግዒ ናቶም ምዃኑ ይክሰስ ኢዩ። ብዛዕባ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኣመልኪቱ ኣብ ተዘክሮታቱ "**እንተ ተጋዳላይ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣምላኽ ይቕረ ይበለሉ፡ መራሒ ሰውራ ኤርትራን ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶን ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰውራ ኤርትራን ክነሱ፡ ተግባራት ዑስማን ሳልሕ ሳበን እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ነቲ ንሱ ዝመርሖ ሰውራ ይጎድእ ከምዘየለ ናይ ምዕዛብ መርገጺ ኢዩ ወሲዱ። ከምኡውን ምስቲ ኩሉ ናይ ሰፊሕ መሰረታት ሓፈሽን ሰራዊት ሰውራ ኤርትራን ክፍልታት ውድብ ተ.ሓ.ኤን ዘለዎ ዓቢ ደገፍ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን።**" ክብል ገሊጹ።

ሰለዚ ከኣ ኣቦ መንበር ሰውራዊ መሪሕነት ንኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ብዘርኣዩ ጉድለት ሓላፍነት ከስክሞ ከሎ፡ ንክልቲኦም ኣዕርክቱ ድማ ናይ "**ዕንወት**" ሓላፍነት የሰክሞም። እዚ ድማ ኣብ ቅንዕና ናይቲ ኣንጻር ገላውዴዎስን ሳበን ዝበሎ ከም እንጠራጠርን ንሱ ንገዛእ ርእሱ ጸግዒ ናይ ኣቦ መንበር ወገን ከምዝወሰደን ክንግምት የዳፋፍኣና። እዚ ጥርጣረታት'ዚ ኣብቲ እዋን እቲ ከም ርጉጽ ሓቂ ዝዛረቡሉ ዝነበሩ እኳ እንተዘይተሳእኑ፡ ዝስዓበ ምዕባለታት ኣረጋጊጽዎ ኢዩ። ናይዚ ጉዳይ'ዚ ጭብጥታት ከኣ ኣብ ዝቕጽል ክነቕርቦ ኢና።

*   *   *

ኩሉ'ዚ ዘቅረብናዮ ሓበሬታታት እምበኣር ናብ ክልተ ውጽኢታት ዘብጽሓና ኢዩ፦

**ቀዳማይ፦** ኣብ መንጎ ሰለስተ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ሰለስተ መራሕቲ ክፍልታትን ዝነበረ ፍሉይ ዝምድናታትን ተማእዛዝነታትን ብዝምልከት ዝዝረብ ዝነበረ ብግምት ወይ ንምጽላም ዝተባህለ ዘረባታት ዘይኮነስ ክውንነት ዝድግፎ ዝነበረ ሓቂ ኢዩ።

**ካልኣይ፦** እተን ክልተ ክፍልታት ኣብቲ ዝተወሰነ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዘይምስታፍን ብናይ ወጻኢ ጽልዋታት ዝተፈጸመ ኢዩ። እዚ ከኣ ጽልዋታት ሓደ ወገን ላዕለዋይ ባይቶን ገለ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነትን ማለት ኢዩ።

ምትራፍ ናይ ክልቲኣን ክፍልታት ካብቲ ጉባኤ ብሰንኪ ናይ ወጻኢ ጽልዋታት ኢዩ ዝብል ግምትና ሓቂ እንተኾይኑ (ንሱ ኢዩ ከኣ እምነትና) ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ እምበኣር፡ ስለምንታይ ኢዩ እቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ክልተ እድሪስት ተባሂሎም ዝግለጹ ዝነበሩ ኣበላት ላዕለዎይ ባይቶ ምስታፍ ክልቲኣን ክፍልታት ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣሰጊኡዎም? ሕሳባቶም ከኣ እንታይ ነይሩ? ዝብል ኢዩ።

ክልተ እድሪሳት፡ ስሙር ሰራዊት ሓርነትን መሪሕነቱን ንሶም ክምክትዎ ኣብ ዘይክእሉ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ጽልዋኡ ዝትግብረሉ ሜዳ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝብል ስግኣት ከም ዝነበሮም ክንግምት ንኽእል። ፍልልያት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ክሳብ'ዚ ንዛረበሉ ዘሎና እዋን ንኩሉ ተቓሊዑ እኳ እንተዘይተራኣየ፡ ኣብ ውሽጦም ግን በሲሉ ዝትኮሰሉ መዓልቲ ወይ ኣጋጣሚ ኢዩ ዝጽበ ዝነበረ። እዚ ድማ ኣብ ዝቕጽል ክንርእዮ ኢና። ሰለዚ ከኣ ውጽኢት ወተሃደራዊ ጉባኤ ዑስማን ሳበ ነቲ ተደጉሉ ዝነበረ ቁርቁስ ዝትኩሰሉ ኣጋጣሚ ንኸይከውን ክልተ እድሪሳት ይሰግኡ ነይሮም። ብፍላይ ከኣ ዑስማን ሳበ ንውጽኢት ጉባኤ ብምሕጋዝ ንመሪሕነት ሰራዊት ናብ ጎኑ ከጸግዖ ዝክእሎ ልዑል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ነይሩዎ ኢዩ።

ሰለዚ ከኣ ክልቲኣን ክፍልታት ኣብ ጉባኤ ብዘይምስታፈን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ንሓደ ክንፊ ላዕለዋይ ባይቶ ኣደልዲለን ኣየን፡ ወይ እውን ክልተ እድሪሳት ከምኡ ኢዮም ተረዲኦምዎ።

እቶም ርኡይ ተቓውሞ ንመሪሕነት ከየርኣዩ ንጠቕላላ ጉባኤ ዝጽውዑ ዝነበሩን እቶም ከም ምንቅስቓስ ምእራም ዝኣመሰሉ ብጋህዲ ንመሪሕነት ነጺጎም ንመሰረታት ውድብ ናብ ጉባኤ ክኸዱ ዝጽውዑን ኣብ ልዕሊ ሰሉሳዊ ሓድነት ዕቃባታቶም ብምርኣይን ብዛዕባ ጠቕላላ ሓድነት ዝዛረቡ ዝነበሩን መሰረታትን ካድራትን በቲ መርገጺ ከይተረድኦም ንወገን ክልተ እድሪሳት ኢዮም ደጊፎም። ንባዕሎም'ቶም ብርቱዓት ተቓወምቶም ንክልቲኦም እድሪሳት ዘገልግሉ ኮይኖም ተራእዮም። ብሰንኪ'ዚ ድማ ገሊኣቶም ንመሪሕነት ምእራም ኣብ ሕቁፊ ላዕለዋይ ባይቶ ኣትዩ ብምባል ብሓሶት ክኸስዎ ተራእዮም።

ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተጋህደ ቁርቁሳት ብተግባር ናይ ምፍንጫል ክውንነት ዘዕሞቐ፡ ብዙሕ ተሪርን ጥሩፍን መርገጺታት ዝተራኣየሉ ኢዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣብቲ ኩነታት እቲ ዝማዕበለ ኣወንታዊ መርገጺ ከኣ፡ እተን ክልተ ክፍልታት ብመገዲ ሓደ መሪሕነት ዝምረጸሉ ካልኣይ ወተሃደራዊ ጉባኤ ሓድነት ሰራዊት ንኽቕበላ ኣብ ልዕሊኣን ዝካየድ ዝነበረ ተጽዕኖታት ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ እነብርሆ ነዚ ኣተሓሳስባታት'ዚ ዝድግፍ ጉባኤታት ኣብ ክልቲኡ ክፍልታት ተኻየዱ።

*   *   *

እቲ ብ6-9-1968 ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልታት ምክያድ ወተሃደራዊ ጉባኤ ብካልኣይቲ ክፍሊ ዝተኻየደን መራሒ ናይታ ክፍሊ ዑመር ሓምድ እዛዝ ዝተሰውኣሉን ኲናት ሓልሓል ብዛዕባኡ ብዙሕ ዘረባታት ተዘሪቡ ኢዩ። እዚ ድማ ምስ ዘይምስታፍ እታ ክፍሊ ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዓንሰባ ብምትእስሳር ኢዩ ነይሩ።

ከም ዝፍለጥ ኲናት ሓልሓል፡ ኣብ ልዕሊ ንቁጣ ፖሊስ ሓልሓል ዝተኻየደ መጠቃዕቲ ኢዩ ነይሩ። ዕላምኡ ነቲ ንቁጣ ሓራ ንምውጻእ ኮይኑ መብዛሕትኣን ኣሃዱታት ካልኣይቲ ክፍሊ ዝተሰተፋሉ ኲናት ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ስርሒት ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ክሳብ ሽዑ ዝዓበየ ክሳራ ዝወረደሉ ኲናት ኢዩ ነይሩ። ካልኣይቲ ክፍሊ ኣስታት 60 ስውኣትን 90 ውጉኣትን፡ ከምኡውን ነቲ ንቁጣ ሓራ ንምውጻእ ዝነበራ ዕላማ ከየረጋገጸት መራሒኣ ከሲራ። ኣብ መበል ራብዓይ መዓልቲ ኲናት ወተሃደራዊ ጉባኤ ዓንሰባ ክካየድ ከሎ፡ ካልኣይቲ ክፍሊ በቲ ዘጋጠማ ዓቢ ክሳራ ዝተበታተነ ዓቕሚታታ ትጥርንፍን ውጉኣታ ትሕክምን ኩነታታ ኣብ ምቁጽጻርን ኢያ ነይራ።

መሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ ኣብ ጉባኤ ዓረዳይብ ዝተወሰነ ጉባኤ ንኽኣንግድ ተመዚዙ ከብቅዕ፡ ኣብ ኲናት ብምእታው መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት ብትሪ ነቒፉዎ። ኣብ ኲናት ምእታው ከኣ፡ ኣብ ጉባኤ ንዘይምስታፉ ምኽንያት ንምርካብ ኮነ ኢሉ ዝገበሮ ምዃኑ ገሊጹ።

ብዛዕባ ድፍኢት ናይቲ ኲናት ምዝራብን ሓደ ኣገላልጻ ጥራይ ተቐቢልካ ደው ንኽትብልን ኣጸጋሚ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ኣፍና መሊእና፡ እቲ ኲናት ካብ ጉባኤ ንምህዳም ዝተኻየደ ኢዩ ኢልና ክንዛረብ ከቢድ ኢዩ። ምኽንያቱ ብግምትና ምኽንያታት ንምድላይ ክንድዚ ዝኣክል፡ እሞ ከኣ ከሰዕቦ ዝኽእል ክሳራታት ንኣካየድቱ ስውር ዘይኮነ ኲናት ምክያድ ኣድላይነቱ ኣይርኣየናን ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ኲናት፡ ሓደ ካብቲ ጉባኤ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ግዜ ንኸይካየድ ዝዓንቀፈ ምኽንያታት ኢዩ ነይሩ።

# 7. መደምደምታ ምንቅስቓስ ምእራም

ምንቅስቓስ ምእራም፡ ንሽግራት ሰውራ ኤርትራ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ትብዓት ገሊጹዎ ኢዩ። ንመሪሕነት ውድብን ኣንጻር ባእታታቱ ዝወሰዶ ስጉምቲታትን ብምብዳህ ከኣ ንኩሉ ብሕቡእ ዝካየድ ዝነበረ ጽገማት ሰውራ ብጋህዲ ኣቕሪቡዎ። መሪሕነት ምንቅስቓስ ምእራም ነቲ ብዙሕ ዝተዘርበሉ ጠለብ ጠቕላላ ጉባኤ ብምቕራብ ከም ቅንዲ ጉዳይ'ኳ እንተ ተዋስኣሉ፡ ናብኡ ከብጽሕ ዝክእል ዓቕሚ ወይ ሓይሊ ኣይነበሮን። ብዘይካ'ዚ እውን እቲ ምንቅስቓስ፡ ኣብቲ መራሕቱ ብትሪ ዝተዋግእዎ ወተሃደራዊ ክፍልታት ኣድማዒ ኣሰር ኣይገደፈን፡ ብሰንኪ'ዚ ከኣ ንጥፈታቱ ኣብ ሱዳን ተወሲኑ። ልክዕ ኢዮ ምንቅስቓስ ምእራም፡ ከም ንመሪሕነት ውድብ ዝቓወም ምንቅስቕስ መጠን ምስ መሪሕነት ውድብ ክሳብ ናብ ደረጃ ምብታኽ ኢዩ በጺሑ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ከኣ ጨንፈራት ሓልፉ፡ መስናዕን፡ ኸሽም ኣልግርባን ብዙሓት ኣብ ከሰላን ገለ ከተማታት ሱዳንን ዝርከቡ ኣብ ጎኑ ደው ኢሎም ኢዮም። እንተኾነ ግን ኣብ ቅድሚ መሪሕነት ናይቲ ምንቅስቓስ ዝነበረ ሕቶ፡ ድሕሪ ተቓውሞን ምብታኽን ከ እንታይ ክግበር ኢዩ? ዝብል ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ፡ ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ዝተወሰነ መተካእታ፡ ማለት ሓድነት ሰለስተ ክፍልታት ምስ ክፉት ኣፍደገ ንምጽንባር'ተን ዝተረፉ ክልተ ክፍልታት ናብ ሓድነት፡ ሒዙ ናብ ሱዳን መጺኡ።

- መሪሕነት ምንቅስቓስ ምእራም፡ ኣብ መሳርዕ ተቓወምቲ ስሉሳዊ ሓድነት ኢዩ ደው ኢሉ። ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ንመሪሕነት ምእራም ካብ መርገጺኡ ንምቅያር ዘካየዶ ርክባት እውን ኣይተዓወተን። መሪሕነት ምእራም፡ እዚ ሓድነት'ዚ ንሜዳ ኤርትራ ናብ ክትወጽእ ዘይትኽእል ሽግርን ግርጭታትን ዝሸምም ከፊላዊ ሓድነት ኢዩ ብምባል ኣብቲ ንጠቕላላ ጉባኤ ዝጽውዕ መርገጺኡ ጸኒዑ። ምናልባት መሪሕነት ምእራም ንስሉሳዊ ሓድነት ምቅዋሙ ምስቲ ዘልዓሎ መትከላት ዝሳነ ክኸውን ይክእል ኢዩ። እቲ መዋጽኦ ኩሎም ወገናት ዝሳተፍዎ ጠቕላላ ጉባኤ ምዃኑ ጥራይ ኢዩ ኮይኑ ዝራኣዮ ዝነበረ። ደረጃ ብደረጃ ወይ በብመድረኹ ዝረጋገጽ ሓድነት ግን ኣብ ኣተሓሳሰባኡ ቦታ ኣይነበሮን። እንተኾነ ግን ነዚ መርገጺ'ዚ ክወስድ ከሎ፡ ኣብ ዝተደናገረ መሰረታት ደው ኢሉ ከምዝነበረ ኣይተረድኦን። ስጉምቲ ስሉሳዊ ሓድነት ከኣ ጭርሖታቱ ስሊቡዎ ኢዩ። ንኣብነት እዚ ሓድነት'ዚ ከፊላዊ'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ኣብ ክፍልታት ሰፊኑ ዝነበረ ኣሉታዊ (passive) ኩነታት ሰጊሩዎ ኢዩ። ሰለዚ ሰለምንታይ ከም ኣውንታዊ ስጉምቲ ዘይቁጸር? ከምኡ እውን ስሉሳዊ ሓድነት፡ ከምቲ ናይ ምንቅስቓስ ምእራም፡ ነቲ ፍሽለቱ ንኩሉ ብሩህ ዝነበረ መሪሕነት ውድብ ዝቓወም ምንቅስቓስ ኮይኑ ኢዩ መጺኡ። ሰለዚ ስለምንታይ ከም ሓጋዚ ንጭርሓታት ምእራም ዘይቁጸር? ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ እቲ ጽቡቕ ጭርሓታት ምንቅስቓስ ምእራም ኣብ ባይታ ክውን ዝገበሮ ሓይሊ ኣይነበሮን። ኣብቲ እዋን'ቲ ግን ሰባት ንጭርሖታት ሰጊሮም ናብ ባይታ ክትግብር ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ምድላይ ኢዮም ነይሮም። ዋላ ብዛዕባ'ቲ ሓድነት ተባህለ እንተ ተባህለ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ግን ነቲ ናይ ሓይሊ ቅድመ ኩነት ኣማሊኡዎ ኢዩ። እዚ ከኣ ካብ መሪሕነት ምእራም ነቲ ኣብኡ ዝነበረ ተጠማትነት ሰሊቡ ናብቲ ኣብ ሓይሊ ረጊጹ፡ ንተጻባእቱ ናይ መርገጺታቶም ሓላፍነት ከም ዝሰከሙ ዘፈራርሕን ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ከም ዝዝንብል ገይሩ ኢዩ።
- እነተ'ቶም መሪሕነቶም ምስ መሪሕነታት ውድብ ናብ ደረጃ ተቓውሞን ምብታኽን ኣብጺሖ ጠጠው ዘበሎምን ናብ ርሒብ ናይ ስራሕ መድረኽ ከሰጋግሮም ዘይከኣለን መሰረታት ምእራም ግን ዝኾነ ገለ ካብቲ ዝተቃለስሉ ቅድመ ኩነት ዘማልእ መተካእታ ይጽበዩ ነይሮም። ስሉሳዊ ሓድነት ከኣ ከማልኦ ክኢሉ ኢዩ። ሰለዚ ከኣ ብዘይምውልዋል ነቲ ስጉምቲ ክድግፉን ናብኡ ክጽንበሩን ካብ መሪሕነቶም ክፍለዩን ተራእዮም።

ኣብቲ ስያመታት መርገጺታት በዚሑሉ ዝነበረ ኩነታት'ቲ ከኣ፡ መሪሕነት ምእራም ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ጸግዒ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ወሲዱ ተባሂሉ። እዚ ግን ነቲ ምንቅስቓስ ካብ መሰረታቱ ንምንጻልን ንጭርሖታቱ ከም ዝጠለመ ንምምሳልን ዝግበር ዝነበረ ፈተነታት እምበር ብጭብጢ ዝተደገፈ ክሲ ኣይነበረን። እንተ መሪሕነት ናይቲ ምንቅስቓስ እቲ መድረኽ ንዕኡን ንጭርሖታቱን ሰጊሩዎ እምበር ንሱስ ብመሰረት ዕግበታቱ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ ምንቅስቓስ ምእራም ኣንጻር መሪሕነታት ውድብ ኣድማዒ ተቓውሞ ድሕሪ ምፍጣሩን ንመሰረታትን ካድራትን ውድብ መዋጽኢታትን ፍታሕን ኣብ ምድላይ ኣንፈት ድሕሪ ምትሓዙን፡ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ካብ ሜዳ ተቆራቆሳቲ

ሓይልታት ወጺኡ። ከምኡውን ንሽግራት ሰውራ ኣብ ምብዳህ ብዝተጻወትዎ ተራ ባእታታት መሪሕነት ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ ታሪኽ ናይቲ እዋን'ቲ ኣትዩም።

## 8. ምልክታት ምፍንጫል ላዕለዋይ ባይቶ

ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ መሰረታት ውድብ ምስቲ ኩሉ ካብ ሜዳ ዝርኣዩ ርሕቐት፡ ንላዕለዋይ ባይቶ ተቐቢሎሞን ተማእዚዞምሉን። ብዛዕባ ሕጋውነቱን ተራኡን ምቁጽጻሩን እውን ሓቲቶም ኣይፈልጡን ኢዮም። ዳርጋ ዕውር ዝኾነ ወለንታዊ ተማእዛዝነት ነይርዎ። እንተኾነ ግን ድሕሪ'ቲ ኣብ 1967 ንውድብ ዘጋጠመ ሓንቲ ክገብረሉ ዘይካኣለ ህቡቡላዊ ነውጺ፡ ካድራት ውድብ ብዛዕባ ዕቱብነትን ዕቅሚን ላዕለዋይ መሪሕነት ኣብ ምምራሕ ናይቲ እናገደደ ዝኸይድ ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክጠራጠሩ ጀሚሮም።

ምስ ምጅማር 1968 ዝፈለመ ዘረባታት፡ ብዛዕባ ሓድነት ናይቲ ንውሽጣዊ ኩነታቱ ሓቢኡ ክኸይድ ዝጸንሐን ኣባላቱ ኣብ ምህናጽ መደበራት ሓይሊን ኣብ ኣመዳድባ ተጋደልቲ ወገናዊ ኣገባባት ክኽተሉ ዝጸንሑን ላዕለዋይ ባይቶ ኢዩ ነይሩ። እዚ ድማ ላዕለዋይ ባይቶ ብሓባር ንውድብ ኣብ ምምራሕ ፈሺሉ ኢዩ ናብ ዝብል ይምዕብል ነይሩ። በዚ መዳይ'ዚ ከኣ እቲ ዘረባታት ኣብ ክልተ ጉዳያት ዘተኮረ ነይሩ።

**ቀዳማይ፡-** ዑስማን ሳልሕ ሳበ ናይ ወጻኢ ስራሕ ብምብሓት ብንዕኡ ዝሰዕቡ ባእታታት መሊኡ ብገንዘብ ውድብ ድላዮም ክገብሩ ምሉእ ስልጣን ሂቡዎም። ብፍላይ ከኣ ቤት ጽሕፈት ደማስቆስ ኣብቶም ካብ ዝተፈላለየ ወገናት ንወተሃደራዊ ስልጠና ናብ ሶርያ ዝመጹ ዝነበሩ ባእታታት ኣፈላላይ ይገብር ነይሩ።

**ካልኣይ፡-** ክልተ እድሪሳት እውን ካብቶም ኣብ ሱዳን ዝሰርሑ ካድራትን ካብ ውሽጢ ሰውራዊ መሪሕነትን ካብ ሜዳን ንዕኦም ዝድግፉ ባእታታት ንምኽሳብ ይንቀሳቐሱ ኣለው። እቲ ዕላማ ድማ ኣብ ሰውራ ጽላዊ ሓይሊ ንምርካብ ኢዩ።

ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ዝዝረበሉ ዝነበረ ጉዳያት ሽግር ሰውራ ትም ኢሉ ምርኣዩን ነቲ ኣብዝን ኣብትን መዛረቢ ዝነበረ ጠለብ ጠቅላላ ጉባኤ ምጉሳዩን ድማ ብዛዕባ ላዕለዋይ ባይቶን ዝኾነ ይኹን ኣወንታዊ ግብረ መልሲ ዘይምግባሩን ሕቶታት ንኽተልዕል እኹል ምኽንያታት ኢዩ ነይሩ።

ቅድሚ መጀመርታ 1968 ብዛዕባ ፍልልያት ሰለስተ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዝፍለጥ ነገር ኣይነበረን። ዋላ'ቲ ኣብ መንጎኦም ክሳብ ክፍላ 1968 ዝጸሓሕፍዎ ዝነበሩ (ገለ ካብኡ ኣብ ኢድና ዝርከብ) ንፍልልያቶም ዝትንክፍ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ምርድዳእን ስምምዕን ውህደትን ከምዘለዎም ኢዩ ዘብርህ። ንኣብነት ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብ29-3-1968 ንሓላፊ ጠቅላሊ ስክረታርያ ኣብ ካርቱም ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽም ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ፡ **"ብዛዕባ ጉባኤ ዝምልከት ኣብ ቀረባ እዋን ንምክያዱ ምስ ሓው እድሪስ ተመያይጥና። ብዛዕባ ኣገዳስነት ምክያድ ጠቅላላ ጉብኤ ምስ ርእይቶኹም ንስማማዕ ኢና። ሰለዚ ምስ ኣሕዋት ኣብ ጀዳ ክንዛራረበሉ ኢና እሞ፡ ብዛዕባ ዝበጻሕናዮ ናይ ሓባር ርእይቶ ክንሰደልኩም ኢና።"** ክብል ገሊጹሉ።

ቀዳማይ ምልክታት ምፍንጫል ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ውሽጢ'ቶም ሰለስተ፡ ድሕሪ ምቛም ስሉሳዊ ሓድነት ብቐጥታ ኢዩ ክርኣ ጀሚሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ካርቱም ዝነበሩ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ምስ ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ድሕሪ ምርኻቦም ብ20-10-1968 ነቲ ዝርአ ዝነበረ ምልክታት ዘብርህ ኣዋጅ ኣውጺኦም።

ኣብቲ መግለጺ፡ "ኣብዚ ዝሓለፈ ቅረብ መዓልታት ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮን ሙሓመድ ዑመሮ ዓብደላ (ኣቡጥያራን) ብጸቶምን ኣብ ሱዳን መጺኦም ኣኸባታት ኣካይዶም። ኣብ መንጎ ሰለስተ ክፍልታት ራብዓይቲ፡ ሓሙሻይትን ሳልሰይትን ሓድነት ከምዝተገብረ ከኣ ኣዊጆም። ነዚ ሓድነት'ዚ ከኣ ካልኣይትን ቀዳመይትን ክፍልታት ተቓዊመንኦ።" ኢሎም።

ቀጺሉ እቲ ኣዋጅ "መራሕቲ ራብዓይትን ሓሙሻይትን ክፍልታትን ምክትል መራሒ ሳልሰይቲ ክፍልን ብጸቶምን ዝወሰድዎ ስጉምቲ፡ ንሰራዊት ናብ ክልተ ተጻባእቲ ወገናት ዝመቀልን ኣብ መንጎኦም ዘሕዝን ዕንወት ዘስዕብን ተጋደላይ ብረቱ ናብ ሓው ተጋደላይ ብምቅናዕ ደም ሰውራውያን ተጋደልቲ ብኢዶም ከምዝፈስስ ዝገብርን ነቲ ብደምን ርሃጽን ሂወትን ዜጋታቱ ዝጠጥዐ ሰውራ ህዝብና ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ብኸምቲ ንሰውራ ኮንጎ ዘጋጠመ ብዘሕዝን ድራማቲካዊ ኣገባብ ከምዘብቅዕ ዝገብርን ስጉምቲ ኢዩ።" ይብል።

ኣሰዒቡ እቲ ኣዋጅ "ላዕለዋይ ባይቶ ምስ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ፡ ሙሓመድ ዑመር ዓብደላን ኢሳይያስን ኣኸባ ኣካይዱ። ሰውራውያን ውድባት ንኩሉ ጌጋታትን ግርጭታትን ንምፍታሕ ዝኸታልዎ ቅኑዕ ሰውራዊ ኣገባብ ምክያድ ጠቅላላ ጉባኤ ምዃኑ ኣብሪህሎም። እቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ከኣ ኣብ ክንዲ ሓድነት ንሰራዊት ኣብ ክልተ ከምዝመቅል ገሊጹሎም።" ይብል።

ካብዚ ኣዋጅ እምበኣር ሰለስተ መሰረታውያን ነገራት ከነውጽእ ንኽእል ኢና።

***ቀዳማይ፡-*** ሰለስቲኦም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ጉዳይ ስሉሳዊ ሓድነትን መሪሕነቱን ከም ተቓዋሚ ወገን እምበር፡ ከም ላዕለዋይ መሪሕነት ውድብ ከይኖም ኣይኮኑን ቀሪቦም።

***ካልኣይ፡-*** ጸግዒ ናይተን ክልተ ክፍልታት ብምውሳድ ከኣ፡ "***ክልቲኣን ክፍልታት ተቓዊመንኦ***" ብምባል ነተን ክልተ ክፍልታት፡ ንሳተን ባዕለን ዘይበልኦ፡ ከም ተቓወምቲ ገይሮም ምግላጸን ኢዩ። ይኹን'ምበር እተን ክልተ ክፍልታት ክሳብ ሹዑ ሓድነት ሰራዊት ንምፍሻል ኣብ ጉባኤ ኣይመጻን እናተባህለ ንዝቐርበለን ዝነበረ ክሲታት ኢየን ዝከላኸላ ዝነበራ እምበር ንነብሰን ከም ተቓወምቲ ስሉሳዊ ሓድነት ኣይገለጻን ነይረን።

***ሳልሰይቲ፡-*** መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ከም መፍትሒ ሽግር ሰውራ ርእዩ ኣብቲ ምርጫኡ እንተ ድኣ ቀጺሉ ብረታዊ ግጭት ክስዕብ ኢዩ ብምባል ናይ ምፍርራሕ ኣገባብ ተጠቒሙ። እዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ እተን ክልተ ክፍልታት ኣብ ጎኖም ከምዘለዋ ንምርኣይ ዝዓለመ ኢዩ ዝመስል።

እቲ መግለጺ ብሓቂ ናብ መሰረታት ውድብ ወይ ናብ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ዝቐንዐ ኣይነበረን። የግዳስ ናብቲ ንስሉሳዊ ሓድነት ኣቐሙን ደጊፉን ሕጂ ከኣ ንምሕጋዙ ይዳሎ ኣሎ ኢሎም ዝጥርጥርዎ ዓርኮም ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብቲ ስሉሳዊ ሓድነት ዝተመስረተሉ ቀዳማይ መዓልቲ ጀሚሩ ኢዩ ናቱ ጸግዒ ወሲዱ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ብዝርዝር ክነቕርቦ ኢና።

ኣዋጅ ከውጽኡ ከለው፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ጸግዒ ሰሉሳዊ ሓድነት ከም ዝወሰደ ርግጸኛታት ይኹኑ ወይ ብግምት ይዛረቡ ብዘየገድስ፡ ንነብሶም ከም ወግዓውያን

ኣፈኛታት ናይተን ክልተ ክፍልታት ምቅራቦም፡ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ ዝመረጾ ሜዳ ክገጥምዎ ድልዋት ምዃኖም ንጹር መልእኽቲ ከመሓላልፍሉ ከምዝደለዩ ኢዩ ዘረድኣና።

ክልቲኦም እድሪሳት ከምቲ ዑስማን ሳበ ዝውንኖ ነገራዊ ዓቅሚታትን ሰፊሕ ዝምድናታት ኣብ ዞባ ዓረብን ኣይውንኑን ኢዮም ነይሮም። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከም ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ሰውራ መጠን ንክልቲኦም እድሪሳት ኣብ መዳይ ሰሩሑ ኣፍደገ ዓጽዮሎም ኢዩ። ከምቲ ናቱ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ እኳ እንተኾኑ ዝሰርሕዎ ነገር ግን ኣይነበረን። ምስዚ ኩሉ ግን ኢዶም ኣይሃቡን፡ ከም መራሕቲ ከምቲ ንሱ ዝውንኖ ፋይናንሳውን ወተሃደራዊ ሓይሊን ምናልባት እውን ልዕሊኡ ከም ዝውንኑ ኮይኖም ኢዮም ቀሪቦም።

ብዝኾነ፡ ኣብ መጨረሽታ 1968 ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ነንሕድሕዱ ተመቃቒሉ፡ ንሰውራ ካብቲ ኣብ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መዳይ ኣንጻላልይዎ ዝነበረ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ንምድሓን ከም ሓደ ኣካል ክሰርሕ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ነይሩ።

# 9. ውድቐት ሰውራዊ መሪሕነት

ውድቐት ሰውራዊ መሪሕነት ከቢድ ውድቐት ኣይነበረን፡ ካብ ንውድቐት ከኣ ንምምህማን ዝቐረበ ኢዩ ነይሩ።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ህላወን ብቕዓት ምንቅስቓስን ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ሰናይ ምትሕግጋዝ ላዕለዋይ ባይቶን ጽቡቅ ድሌት መራሕቲ ክፍልታትን ኢዩ ዝምርኮስ ነይሩ። ሰለዚ እቶም ዋሕስ ህላወኡ ዝነበሩ መሪሕነታዊ ደረጃታት ምስ ገደፍዎ ህላወኡ ክቕጽል ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ሰውራዊ መሪሕነት ክሳብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ባይቶ ምፍንጫላት ዝተራእየሉ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዋላ ውሑድ ይኹን ካብ ላዕለዋይ ባይቶ ሓገዛት ይረክብ ነይሩ ኢዩ። እቲ ሓገዝ ዋላ'ኳ ውሑድ እንተነበረ ንቐጻልነት ሂወቱ ግን የውሕስ ነይሩ ኢዩ። ሰውራዊ መሪሕነት ቀጻልነት ሂወቱ ንምውሓስ፡ ካብ መጨረሽታ 1967 ጀሚሩ ክሳብ ሰነ 1968 ጠቕላላ ጉባኤ ውድብ ንምክያድ ተደጋጋሚ መጸዋዕታ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ የቕርብ ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን መጸዋዕታቱ ሓንሳብ ምስቃጥ ሓንሳብ ከኣ ተቓውም ይገጥሞ ነይሩ። እቲ ዝርካቡ ውሑድ ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዝዋሃብ ዝነበረ ሓገዛት ካብ ካዝና ዑስማን ሳበ ኢዩ ዝላኣኽ ነይሩ። ዑስማን ነቲ ሓገዝ ኩሉ ግዜ ብጽቡቅ ድሌት ተበጊሱ ጥራይ ኣይኮነን ዝልእኾ ነይሩ። ከምቲ ሰውራዊ መሪሕነት ብዘጋጠሞ ሕማቅ ኩነታት ጥርዓን ዘቕርበሉ ዝነበረ፡ ዑስማን ሳበ እውን ብወገኑ ኣብ ነፍሶም ክምርኮሱ ከምዝለዎም ብምሕባር ብዛዕባ ዘሎ ሕማቅ ኩነታት ይጠርዓሎም ነይሩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ናይ ምግናንን ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ናይ ዒቕታን ቃላት ካብ ምጥቃም ድሕር ይብል ኣይነበረን።

ብ30-11-1967 ዑስማን ሳልሕ ሳበ ናብ ሰውራዊ መሪሕነት ዝጸሓፎ ደብዳበ ከኣ ነዚ ንብሎ ዘሎና ዘረጋግጽ ኢዩ ነይሩ። ከምዚ ድማ በለ፡ "**ሰውራዊ ስራሕ ንምክያድ ኣገዳስነት ገንዘብ ልዑል ምዃኑ ይርድኣና ኢዩ። ከምኡውን ሕጽረት ገንዘብ ኣብ መስርሕ ሰውራ ዓቢ ጽልዋ ከም ዘለዎ ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ግን ኣብ ሰውራ እቲ ወሰኒ ንፋይናንሳዊ ጸገማትን ካልእን ብሰነ ፍልጣታዊ ኣገባብ ንምግጣም ናይ ኣወዳድባ ዓቕሚ ዘለዎ ወዲ ሰብ እምበር፡ ገንዘብ ወይ ብረት ኣይኮነን። ንስኻትኩም ብገንዘብ ክንሕግዘኩም ትሓቱ ኣሎኹም። እንተኾነ ግን ኣብዚ እዋን'ዚ ኩነታትና ካብ**

ናታትኩም ኩነታት ዝሓሸ ኣይኮነን። ንሕና ዓቢ ጠለባት ገጢሙና ኣሎ። ዓቕሚ ግን የለን። ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምርካብ ንፍትን እኳ እንተሃለና ውሕስነት ዘለዎ ግን ኣይኮነን። መሰረታዊ እስትራተጂ ሰውራ ኣብ ነፍስ ምርኮሳ ክቐውም ኣለዎ። ህዝብና ዋላ'ኳ ድኽነትን ሽግርን እንተሃለዎ ገንዘብ ካብኡ ንምርካብ ኣድላዪ ኣገባባት ክንፈጥር ኣሎና።"

ዑስማን ምስቲ ኩሉ ሰውራዊ መሪሕነት ብመሰረት ባዕሉ ዝውጽኦ ሕጊታት፣ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ገንዘብ ናይ ምእካብ ስልጣን ከምዘይብሉ እናፈለጠ ዝውርደሉ መጥቃዕቲ፡ እቲ እንኮ ንሰውራዊ መሪሕነት ዝሕግዞ ዝነበረ ንሱ ኢዩ። እንተወሓደ ንገለ ክሽፍንሉ ዝኽእል ገንዘብ ካብኡ ይርከብ ነይሩ።

ብምቛም ስሉሳዊ ሓድነት እቲ ብዝያዳ ዝተጎድኦ መሪሕነታዊ ኣካል ሰውራዊ መሪሕነት ኢዩ ነይሩ። ብሰንኩ ከኣ፦

- እቲ ውሑድ ኣታዊታት ዝረኽበሉ ዝነበረ ጨንፈራት ሱዳን ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ምፍንጫላት ስኢኑዎ።
- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝህቦ ዝነበረ ሓገዝ ከኣ ብፍጹም ደው ኢሉ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ሰውራዊ መሪሕነት እቲ ናይ መጨረሽታ ናይ ህላወኡ ረቛሒ ሲኢኑ። ንህላወኡ ዘውሕስ ሓገዝ ክረክብ ይኹን፡ ካብቲ ዝነበሮ ሕሱም ኩነታት ንምግልጋል መዝነቱ ዝስርዞ ኣካል ኣይረኸበን። ሰለዚ ንነብሱ ባዕሉ ንክስርዞ ተገደደ። ኣባላቱ ካብ ስራሕ ብምቁራጽ፡ ናብ ውልቃዊ ምርጫታቶም ኣዛንቢሎም። ገለ ካብኣቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝነበረ ፍልልያት ንዕግበቶምን ድሌቶምን ዝቐረበ ምርጫ ኣብ ምድላይ ከተኩሩ ከለው፡ ገለ ከኣ ናብ ተነጽሎን ውልቃዊ ዋኒንን ዘንቢሎም።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ መወዳእታ 1968 ሰውራዊ መሪሕነት ህላወኡ ካብ ዓውዲ ስራሕ ኣብቂዑ። ቅድሚ ኩሉ ዝተሃሰዩ ከኣ ኣብ ከሰላ ዝነበሩ ውጉኣትን ሕሙማትን ተጋደልቲ ኢዮም ነይሮም። ዕድሎም ከኣ ኣብ ኢድ'ቶም ክገድፍዎም ሕልናኦም ዘይፈቐደሎም ናይ ጥዕና ሓላፍቲ ኮነ። ክሳብ'ቲ ገና ዘይርአ ዝነበረ ናይ ራህዋ እዋን ዝመጽእ ድማ እቶም ሓካይም ምስ ሱዳናውያን ሓካይም ኣብ ሆስፒታላትን ውልቃዊ ክሊኒካትን እናተሓጋገዙ ዝከኣሎም ናይ ሕክምና ግቡእ ንኽካይደሎም ምእንቲ ምስኣታቶም ክኾኑ ወሲኖም።

# ምዕራፍ 9

# 1969፡ ዓመተ ሓድነት፡ እንተኾነ ግን ...

ዓመተ 1968 ኩሉ ሓናፂ ጉዳያት ሰውራ ዝተላዕለሉ ኣብ ኣካላት ሰውራ ዓሚቑ ማህሰይቲ ዝወረደሉን ዓመት ክኸውን ከሎ፡ ዓመተ 1969 ድማ ካብ መጀመርታኡ ንምእንቲ ሓድነት ዕቱብ ቃልሲታት ዝተኻየደሉ ዓመት ኢዩ ነይሩ። እቲ ቃልሲታት ከኣ፡ ኣብ መጨረሽታ ርቡዒ ናይቲ ዓመት ንወተሃደራዊ ክንፌ ሰውራ ሓድነት ብዘረጋገጸ ወተሃደራዊ ጉባኤ "ኣደብሓ" ብምክያድ ተዓዊቱን ብዝጸውዖ ሃገራዊ ጉባኤ ዝረጋገጽ ጠቅላላ ሓድነት ከኣ ኣበሰረ።

## 1. ጨንፈራት ሱዳን

ኣብቲ እዋን'ቲ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡ በቲ ንሰውራ ኤርትራ ካብ መጀመርታ ኣብ ምሕጋዝ ዝነበሮ ዓቢ ተራን ጥቡቅ ምትእስሳርን ህላወ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ከሰላን ከምኡውን ኣብ ሱዳን ብምንባሩ ብዝነበሮ ናይ ምዝራብ ናጽነትን፡ ሓፈሻዊ ርእይቶ ኣብ ምፍጣርን ኣብ ፍጻሜታት ኣብ ምጽላውን ብፍላይ ክብደት ነይሩዎ። ጉዳያት ሜዳ ብቕጽበት ኣብ ሱዳን የንጸባርቕ ብምንባሩ፡ እቲ ኣብ 1968 ዝተቀልቀለ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ብቐንዱ ኣብ ውሽጡ ይንቀሳቐስ ሰለዝነበረን፡ ሽግራት ሰውራ ብዝያዳ ይርዳእን ኣብ ምፍታሑ ንምስታፍ ድልውን ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ዝኾነ ዝቅላቐል ምንቅስቓስ የተኩረሉ፡ ኣዋጃቱ ይዝርጋሓሉን ንምኽሳቡ ኣብ ውሽጡ ይጽዕርን ነይሩ። ማእለያ ዘይብሉ ኣዋጃት ዝተዘርጋሓሉ ብዙሕ ኣኸባታት (መብዛሕትኡ ብምስጢር) ዝተኻየደሉን ከባቢ ኢዩ ነይሩ።

በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ኢዩ መሪሕነት ሱልሳዊ ሓድነት ድሕሪ ጉባኤ ዓንሰባ ብቐጥታ  ናብዚ ሓፋሽ'ዚ ዝተንቀሳቐሱ። ኣብ ውሽጡ ንኣስታት ሽዱሽተ ወርሒ ብምጽናሕ ምስ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ነዊሕ ዘተታት ዘካየደ ልኡኹ ከኣ ሰዲዱ። **"ምንቅስቓስ ምእራም"** ኣብ ውሽጢ እዚ ሓፋሽ ንሰለስተ ካብ ጨንፈራቱን ኣብያተ ጽሕፈትንን ብምኽስብ ምፍንጫል እንተፍጠረ እቲ ዝዓበየ ምፍንጫል ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ዘጋጠመ ግን ምስ ምቅልቓል ሰሉሳዊ ሓድነት ኢዩ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ ደገፍትን ተቓወምትን ሰሉሳዊ ሓድነት ዝተኻየደ ጎስጓስን ጸረ ጎስጓስን ከኣ፡ እቲ ምፍንጫል ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝተዓዘብናዮ ናይ ተጻባኢ ባህሪ ብምሓዝ ክፍወስ ከም ዘይክእል መሰለ።

ብሰንኪ'ቲ ምፍንጫላት ከኣ ስም ሰውራ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ'ቲ ደጋፊ ህዝቢ ሱዳን ኣመና ተጎዲኡ። ደገፍቲ ሰልፊታት፡ ኣካላትን ውልቀሰባትን ንሰውራ ብከመይ ይሕግዙን ንመን ይሕግዙን ሰለዘይፈለጡ ኣመና ተጨኒቆም። ይኹን'ምበር እቶም ብዝያዳ ዝተጎድኡ ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ምፍንጫላት ዝወሃቦም ዝነበረ ኣገልግሎታት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ሰለዝወርደ ውጉኣትን ሕሙማትን ተጋደልቲ ኢዮም ነይሮም።

ሰለዚ ከኣ ጾር ናይቲ ምፍንጫል ብቀንዱ ናብ ጨንፈራት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሱዳንን ኣብያተ ጽሕፈተንን ኢዩ ወዲቑ ክበሃል ይከኣል። ኣብ መዓልታዊ ስርሓት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ዝሸገር ዝነበረ ከኣ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ሓፋሽ ኮነ።

በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት'ዚ ንፋስ ሓድነት ካብ ሱዳን ምንፋሱ ዘገርም ኣይነበረን።

እቲ ተበግሶ ብጨንፈር ካርቱም ዝተወሰደ ኮይኑ፡ ብኣኣንጋድነት ጨንፈር "**ሓልፋ**" ጉባኤ ንኽካየድ ናብ ኮሚተታት ጨንፈራትን ኣብያተ ጽሕፈተንን መጸዋዕታ ኣመሓላሊፉ። እቲ መጸዋዕታ ነተን ልኡኽ ስሉሳዊ ሓድነት ዘቆመን ህዝባዊ ኮሚተታት ግን ዘጠቓልል ኣይነበረን። እቲ መጸዋዕታ ሓላፍቲ ኣብያተ ጽሕፈትን ሓደ ወይ ክልተ ሰባት ካብ ኮሚተታት ጨንፈራትን ጥራይ ንኽሳተፉ ቅድመ ኵነት ዘቐረበ ነይሩ።

ቀዳማይ መጋባእያ ጉባኤ ወከልቲ ሾሞንተ ጨንፈራት ካርቱም፡ መደኒ፡ ደማዚን፡ ገዳርፍ፡ ዓጥበራ፡ ሓልፋ፡ ግርባን መስናዕን[114] ኣብ ዝተረኽብሉ ብ20-2-1969 ኣብ "**ሓልፋ**" ተጀሚሩ። ኣብቲ ጉባኤ ዘይተረኽቡ ከኣ ጨንፈራት ከሰላ፡ ፖርት ሱዳን፡ ኦሮማን ቶኮርን ነይሮም። ከም ዝፍለጥ እተን ጸግዒ "**ምንቅስቓስ ምእራም**" ዝወሰዳ ጨንፈራት ሓልፋ፡ መሰናዕን ግርባን ናብ ስሉሳዊ ሓድነት ዘንበለን እየን። ይኹን'ምበር ቅርጸን ካብ ናይ "**ጨንፈር ኮሚተታት**" ናብ "**ህዝባዊ ኮሚተታት**" ኣይለወጣን ነይረን።

ካብዚ ተማእዛዝነት'ዚ ብምብጋስ ከኣ ሰለስቲኣን ጨንፈራት ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ጉብኤ ብዛዕባ ዘይምስታፍ ህዝባዊ ኮሚተታት ሓቲተን። እቲ ዓዳሚ ጨንፈር (ካርቱም)፡ ምኽንያት ዘይምስታፍ ህዝባዊ ኮሚተታት ገለ ጨንፈራት ሰለዝነጸጋ፡ ብዛዕባ ሽግር ህላወ ህዝባዊ ኮሚተታት ኣቐዲምካ ንምምይያጥ ኮሚተታት ጨንፈራት ጥራይ ክጽውዕ ከምዝመረጸ'ኳ እንተሓበረ እተን ሰለስተ ጨንፈራት ግን በቲ ዝተዋህበ መልሲ ኣይዓገባን።

ሰለዚ ከኣ ሰለስቲኣን ጨንፈራት ድሕሪ ምስታፍ ህዝባዊ ኮሚተታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ብዛዕባ ዝኾነ ጉዳይ ኣብቲ ጉብኤ ከምዘይማያየጣ ገለጻ። እተን ካልኦት ጨንፈራት ነቲ እተን ሰለስተ ጨንፈራት ህዝባዊ ኮሚተታት ኣብ ጉባኤ ንኽሳተፋ ንዓዳሚ ጨንፈር ብዛዕባ ዘቐረብኦ ቅድመ ኩነት ኣፍልጦ ከምዘይብለን እኳ እንተ ገለጻ፡ ጸግዒ ናይ ኣኣንጋዲት ጨንፈር ብምውሳድ ጉዳይ ህዝባዊ ኮሚተታት ኣብዚ ተጋቢኡ ዘሎ ጉባኤ ክዝረበሉ ኣለዎ ኣብ ዝብል ሓሳብ እየን ጸኒዐን። ይኹን፡ምበር እተን ሰለስተ ጨንፈራት ህዝባዊ ኮሚተታት ኣብ ዝተረኽባሉ እንተ ዘይኮይኑ ዝኾነ ጉዳይ ኣይንመያየጥን ኢና ኣብ ዝብል መርገጺ ሰለዝደረቓ፡ ጉባኤ ኣብ ዕጹው መገዲ በጺሑ ብዘይ ፍረ ክብተን ምስ ቀረበ፡ ንመስርሕ ናይቲ ጉባኤ ብደገ ኮይኖም ክከታተሉ ዝመጹ ሰለስተ ኣባላት "**ምእራም**" ዓብደላ ሱሌምን፡ ሓምድ ሕሴንን ዑስማን ዓጂብን ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ ፍልልያት ንምቅርራብ ኣብቲ ጉዳይ ኣትዮም። ከም ዝፍለጥ እተን ሰለስተ ጨንፈራት ካብ "**ምንቅስቓስ ምእራም**" ናብቲ ልኡኽ ምስ መሪሕነት "**ምእራም**" ዝተፈላለየ ስሉሳዊ ሓድነት ቀይረን እኳ እንተነበራ፡ ምስ መሪሕነት "**ምእራም**" ግን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ሰናይ ዝምድናን ነይሩወን ኢዩ። ክልቲኦም ወገናት ንመንጎኝነት ናይቶም ሰለስተ ባእታታት ድሕሪ ምቅባሎም ከኣ ብ22-2-1969 ዘይወግዓዊ ርክብ ተኻየደ።

---

[114] ኣብያተ ጽሕፈት ናይተን ሸሞንተ ጨንፈራት ዝወከሉ ከኣ፡ ሑመድ ሙሓመድ ስዒድ ኩሉ (ካርቱም) ዓሊ ዑስማን ሓምድ ሕንጢ (ደማዚን) ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል (መደኒ) ዓሊ መሓመድ ሳልሕ (ገዳርፍ) መሓመድ ኑር ደርማስ (ዓጥባራ) ኣደም መሓመድ ሳልሕን ተኽለ እዛዝን (ሓልፋ) ዓብደላ ዓብደልቓድር (ግርባ) ኣደም መሓመድ ስዒድ (መስናዕ) ኢዮም።

ኣብዚ መጋባእያ'ዚ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ ዓቢ ፍልልይ ተላዒሉ። ንሱ ከኣ ብፍላይ ብዛዕባ ጠቅላላ ጉባኤ ምክያድ ዝምልከት ነይሩ።

ህዝባዊ ኮሚተታት ጉባኤ ድሕሪ ስምረት ክፍልታት ክግበር ኣለዎ ዝብል መርገጺ ኢዩ ነይርዎን፡ ኮሚተታት ጨንፈራት ግን ነዚ ቅድመ ኩነት'ዚ ይነጽጋን ሃገራዊ ጉባኤ ቅድሚ ስምረት ወተሃደራዊ ክፍልታት ክካየድ ኣለዎ ዝብል መርገጺ ነይሩወን። ኮሚተታት ጨንፈራት ጉባኤ ብከምዚ ዓይነት ቅድመ ኵነት እንተ ድኣ ተቐይዱ፡ ምስ ምቅጻል ናይቲ ዘሎ ምፍንጫል ከይካየድ ይኽእል ኢዩ ዝብል ስግኣታት ነይሩወን።

እቶም ሰለስተ ኣባላት መሪሕነት ምንቅስቓስ ምእራም ነቲ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝነበረ ዝተፈላለየ መርገጺታት ኣብ ምቅርራብ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም። ከም ውጽኢቱ ከኣ ክልቲኦም ወገናት ኣብዚ ዝስዕብ ሓሳብ ተሰማምዑ።

**“ኣብዚ ግዜ'ዚ ጠቅላላ ጉባኤ ንኽካየድን ኩሉ ጉዳያት ኣብኡ ክዝረበሉን ተጋባእቲ ተሰማሚዖም።”** እተን ሰለስተ ጨንፈራት ከኣ ነዚ ዝስዕብ ክፍጽማ ተማእዚዘን።

**“ንሕና ነዚ ዘሎ ሽግራት ንምፍታሕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ጉባኤ ኽካየድን ንህዝባዊ ኮሚተታት ብዝሓሸ መገዲ ንምዕጋብን ተሰማሚዕና ኣሎና። ህዝባዊ ኮሚተታት እንተ ድኣ ነጺገን ሓላፍነት ይሰከማ፡ እዚ ጉባኤ እዚ ከኣ ስርሓቱ ይቅጽል።”**

ከምኡውን ናይ ክልቲኦም ወገናት ሓድነታዊ ጉባኤ ኣብ ገዳርፍ ብ10-3-1969 ክካየድን እተን ሰለስተ ጨንፈራት ንህዝባዊ ኮሚተታትን ኣብያተ ጽሕፈተንን ክሕብራ፡ እተን ሓሙሽተ ጨንፈራት ከኣ ነተን ዘይተረኽባ ኣርባዕተ ጨንፈራት ክሕብራ ተወሲኑ።

* * *

ጉባኤ ገዳርፍ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ዕለት ተኻይዱ። ብዘይካ ጨንፈራት ፖርት ሱዳን፡ ቶኮርን ቃሩራን ከኣ ኩሎም ዕድመ ዝተገብረሎም ተረኺቦም።[115]

ቀዳማይ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ዝነበረ ጉዳይ፡ ብዛዕባ ስምረት ኮሚተታት ጨናፍርን ህዝባዊ ኮሚተታትን ዝምልከት ኢዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ሽግር ከኣ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ብዝተኻየደ ተለዋዋጢ ክሲታት ዝተወልደን ዝማዕበለን ዘይምትእምማን ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ሓጺር ግዜ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ናይ ፍልልያት ጋግ ገፊሑ ኢዩ። ብሰንኩ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ወገን ነቲ ካልእ ኣብቲ ምልክቱ ብሩህ እናኸነ ዝመጸ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ባይቶ ዝነበረ ፍልልያት ጸግዒ ከም ዝወሰደ ገይሩ የቅርቦ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ነፍሲ ወከፍ ወገን፡ እቲ ካልእ ኣብ ልዕሊኡ ዓወት ንኸየመዝግብ ይስግእ ነይሩ። ኣብቲ ቀዳማይ መጋባእያ ክልቲኦም ወገናት፡ ክሳብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ሓደ ውድብ ብሓባር ይሰርሑ ከምዘይነበሩ ወከልቲ ክልተ ውድባት ኢዮም ዝመስሉ ነይሮም።

ናይ ክልቲኡ ወገን ኮሚተታት ብዛዕባ ዝሰምርሉ ኣገባባት ዝምልከት ዝተወሰነ ሓሳባት ኣብ ምቅራብ ክልቲኦም ሸነኻት ሰጊኡሉ ኣብ ዘነበረ ህሞት ከኣ፡ ንህዝባዊ ኮሚተታትን ንኮሚተታት ጨንፈራትን ብምስራዝ ብመገዲ ምርጫ ግዝያውያን ኮሚተታት ጨንፈር ክምረጻ ኣለወን ዝብል ሓሳብ መጸ።

---

[115] ጉባኤ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መደኒ ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ኢዩ መሪሑዎ።

ነቲ ሓሳብ ዘቕረበ ካብ ወገን ኮሚተታት ጨንፈራት እኳ እንተ ነበረ፡ ነቲ ሓሳብ ግን ህዝባዊ ኮሚተታት ክድግፍኦ ከለዋ፡ መብዛሕትኣን ኮሚተታት ጨናፍር ነጺገንኦ። ኮሚተታት ጨናፍር፡ ዘይመቐበሊኣን ምኽንያት ከኣ **"ንሕጋውያን"** ኮሚተታት ጨናፍር ምስ **"ዘይሕጋውያን"** ህዝባዊ ኮሚተታት ኣነጻጺርካ ምስራዝ ከም ኢድካ ምሃብ ዝቑጸርን ንመጻኢ ከኣ ሓደገኛ ምልክትን ኢዩ ካብ ዝብል ስግኣት ዝነቐለ ኢዩ።

ኩሉ'ቲ ስግኣት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ካብ ዘይምትእምማን ዝነቐለ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መጨረሽታ ግን ነቲ ሽግር ብምስጋር ጉባኤኛታት ነቲ ሓሳብ ብምሉእ ድምጺ ከጽድቅዎ ኪኢሎም ኢዮም።

ብድሕሪኡ ንጨንፈራት ሱዳንን ኣብያተ ጽሕፈተንን ዘስምርን ክሳብ'ቲ ስልጣኑ ዘብቅዓሉ ጠቕላላ ጉባኤ ዝካየድ ዘመሓድረንን ብ13 ኣባላት ዝቖመ ግዝያዊ ማእከላይ ሽማግለ ክቖውም ተወሲኑ።[116]

እንተ ጠቕላላ ጉባኤ ንምክያድ ብዝምልከት ከም ሓደ ዕማም ማእከላይ ሽማግለ ተወሲኑ። **"ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ዘኽእል ምቹእ ሃዋህው ንምፍጣር ከኣ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ስምምዕ ንምፍጣር ጻዕሪታት ዘካይድ ካብ ማእከላይ ሽማግለን ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ካይሮን ልኡኽ ናብ ሜዳ ክላኣኽ ተወሲኑ።"**

ኣብ ውሽጢ ጉባኤ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገናት ዝሰረጸ ጥርጠረታት ታኣልዩን ብፍላይ ከኣ ኣብ ተቐራቐስቲ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ብዝምልከት ኣብ ሓደ ሓሳብ ተበጺሑን። ክልቲኦም ወገናት ነቲ ብክልተ እድሪሳት ከም መተካእታ ናይቲ ዝፈረሰ ሰውራዊ መሪሕነት ዝቖመ **"ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት"** ብምንጻግ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ መሪሕነት ሰሪዙ ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከብ ንብረት ንማእከላይ ሽማግለ ከምዘረክብ ንኽገብር ዝጠልብ ውሳኔ ጉባኤ ኣሕሊፉ። ከምኡውን እቲ ጉባኤ ሃገራዊ ጉባኤ ንምኽያድ ሓደንት ወተሃደራዊ ክፍልታት ክረጋገጽ ኣለዎ ዝብል ዝነበረ ቅድመ ኵነት ህዝባዊ ኮሚተታት ሰጊሩዎ።

እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ከተማታት ሱዳን ዝተኻየደ መሪር ቁርቁሳትን ፍልልያቶም ዳርጋ ናብ ዕጹው መገዲ ዝበጽሐ ዝመሰል ዝነበረን ክልቲኦም ወገናት ናብ ኣገዳስነት ናይ ሓባር ስራሕ ንኽማዕድውን ኣብ ሜዳ ሓድነት ንምርግጋጽ ብዓቕሞም ንኽበርከቱን ሓጋዚ ረጃሒ ኮይኑዎም ኢዩ።

እቲ ጉባኤ ኣብ ሓጺር ግዜ ሓደስቲ ኮሚተታት ብምቛም ከኣ ኣብ ጨንፈራት ሱዳን ሓድነት ክስፍን ክኢሉ። ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ድማ ኣወንታዊ ሃዋህውን ተስፋታትን ክፍጠርን ኣብ ቅድሚ ኣዕሩኽ ሱዳናውያን ከኣ ሓድነት ቃል ሰውራ ክረጋገጽን ተኻኢሉ።

---

[116] ማእከላይ ሽማግለ ካብዞም ዝስዕቡ ኣባላት ብምርጫ ቆይሙ፡

1. ኣደም ሙሓመድ ዓሊ ኣክተ- ጸሓፊ ማእከላይ ሽማግለ
2. ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል- ምክትል ጸሓፊ
3. ስሌማን ሙሳ ሓጅ
4. ዓሊ ሙሓመድ ሳልሕ
5. ኪዳነ ክፍሉ
6. ዓብዱ ሰመድ ኣሕመድ
7. ማሕመድ ሙሓመድ ዓሊ
8. ሕመድ ሙሓመድ ስዒድ ኩሉ
9. ሙሓመድ ኣድም እድሪስ ኖር
10. ኣደም ሙሓመድ ሳልሕ
11. ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ
12. ዑመር ጎነሕታ
13. ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ

# 2. ክልቲኣን ክፍልታት- ቀዳመይቲ ካልኣይቲን

## ጉባኤ ቀዳማይቲ ክፍሊ

ቀዳመይቲ ክፍሊ ካብ ኩለን ክፍልታት ብዝያዳ ብውሽጣዊ ቁርቁሳት ትሳቐ ዝነበረት ክፍሊ ኢያ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ናይቲ ኣብ 1967 ብሕሹኽሹኽ ዝጀመረን ቁርቁሳት ከኣ፡ ኣብ 1968 ብዝተፈላለየ መልክዓት መሪሕነት ክፍሊ ንምቅዋም እውጅ መልክዑ ዝወሰደን ምንቅስቓሳት፡ ኩሎም ተጋደልቲ ናይቲ ክፍሊ በዚ ይኹን በቲ ኣብቲ ቁርቁሳት ጢሒሎም ነይሮም። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ንኹሉ ዘሻቅሎም ጉዳያት ንምምይያጥ ናብ ሰፊሕ ዘተታት ብዝደፍእ ኣገባባት ንፖለቲካዊ መስርሕ ኣማዕቢልዎ።

ሓላፊ ጥዕና ክፍሊ ዓብደልቃድር ሮመዳንን ሓላፊ ፋይናንስ ክፍሊ ሙሓመድ ዑስማን እዛዝን ናብ "**ምንቅስቓስ ምእራም**" ተወዲቦም ብዝብል ክሲ ካብቲ ክፍሊ ምስ ተስጉን ፖለቲካዊ ኮሚሽነር ሙሳ ሙሓመድ ሃሽም ኣብ ምንቅስቓስ ከሰር ብዝነበሮ ቀንዲ ተራ መራሒ ክፍሊ ኣብ ልዕሊኡ ብዘርኣዮ ዕቓበታት ተራኡ ምስ ተደረተን መሪሕነት ክፍሊ ኣብ ኢድ መራሒ ክፍሊ ማሕሙድ ዲናይን ምክትሉ ሳልሕ ሙሓመድ እድሪስን (ኣቡዓጃጅ) ኢዩ ተወሲኑ። እዚ ከኣ ንባዕሉ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዘዛርብ ዝነበረ ኢዩ ነይሩ።

ከምኡውን ጉዳይ ሓድነት ሰራዊት ሓደ ካብቲ ተንጠልጢሉ ዝነበረ ጉዳያት ኢዩ ነይሩ። ልክዕ'ዩ እቶም ተጋደልቲ ንመሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት በቲ ኣብ ኣዋጃቱ ዘውጽኦን ልኡኹ ኣብ ሱዳን ዝገልጾ ዝነበረን ብሕማቕ ከም ዝርእዮም ሰለዝገመቱን ዑስማን ሳበ ከም ዘንቀሳቕሶም ገይሮም ሰለዝወሰድዎምን፡ ከምኡውን ነቲ ከፌላዊ ሓድነቶም ድሕሪ ምርግጋጾም ነተን ክልተ ክፍልታት ከምዝራሓቅወን ገይሮም ሰለዝተረድኣዎምን ብጽቡቕ ይጥምትዎም ኣይነበሩን። ምስዚ ኩሉ ግን ንኣሉታዊ መርገጺ መሪሕነት ክፍሊ ምፍንጫል ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዘዕሙቕ ኢዩ ብምባል ብትሪ ይነቅፍዎ ነይሮም።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ ናይቲ ክፍሊ ዝነበረ ዓቢ ጉዳይ ፡ እቲ ሽግራት ሰውራ ንምስጋር ብሓባር ንኽይሰርሑ ኣልሚሱዎም ዝነበረ ውሽጣዊ ፍልልያቶም ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ ኣቃልቦኦም ብቀዳምነት ሓድነት ክፍሊ ኣብ ምርግጋጽ ዘተኮረ ነይሩ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ፡ ኣብ ጉዳይ ውሽጣዊ ሓድነትን ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ንምምይያጥ፡ ጉባኤ ክፍሊ ክካየድ ርእይቶታቶም ሰሚሩ። መሪሕነት ክፍሊ ከኣ ተስማሚዕሉ።

መሪሕነት ክፍሊ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ምርጫታት ጸቢብ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ውሽጣዊ ሓድነት ምርግጋጽ ዝብል ምርጫ ከይመለስካ ትም ምባል ንካልኣይ ግዜ ንውሽጣዊ ሓድነት ከየባርዕ ዘሰግእ ኢዩ። ኣብዚ ግዜ እውን መሪሕነት ክፍሊ ኣብ ቅድሚኡ ኣብ 1968 ዘይነበረ ሓያል ድሌት ናይ ሓድነት ተፈጢሩ ሰለዝነበረ ንጠለብ ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ምጉሳይ ተጋደልቲ ንመሪሕነት ክፍሊ ክጉስይዋ ዝዕድም ኢዩ ነይሩ። መሪሕነት ክፍሊ ነቲ ዝዳለዎን ዝተሳተፎን ጉባኤ ብምውዳቡ መድረኽ ዝጠልቦ ልቦናዊ ስጉምቲ ኢዩ ወሲዱ።

ጉባኤ ብ21-4-1969 ዓ.ም ተቓኒዑ። ወከልቲ ናይተን ኣብቲ ክፍሊ ዝነበራ ሓሙሽተ ሓይልታትን ወከልቲ ፍሉያት ኣሃዱታት ከም ፈዳይንን ዝተፈላለያ ክፍልታት ናይታ ክፍልን ከኣ ተሳቲፎም። ንክልተ ጉዳያት፡ ውሽጣዊ ሓድነት ክፍልን ሓድነት ሰራዊት ሓርነትን ድሕሪ ምምይያጦም ከኣ "**መጸዋዕታን ኣዋጅን ቐዳመይቲ ክፍሊ**" ዝተሰምየ ደምዳሚ ኣዋጅ ወጺኡ።

እቲ ኣዋጅ፡ ቅድሚ ነቲ ዝሓለፈ ውሳኔታት ምቅራቡ፡ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ዝነበረ ሓፈሻዊ ኩነታት ሰውራ'ዩ ዝትንትን። ንኣንባቢ ንምብራህ ከኣ ገለ ካብኡ ነቕርብ።

***"ንሕና ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ብሰንኪ ግፍዒታት መግዛእቲ ዝስምዖ መሪር ኩነታት ንርድኦ ኢና። ስለዚ ከኣ ነዚ ኣብ ውሽጥና ጋግ ፈጢሩ ጸላኢ መሳርዕና ብምብታንን ብሰላሕታዊ ዂናትን መርዛም ፕሮፖጋንዳን ሓድነትና ብምዝራግን ውዲታዊ ዕላማታቱ ንምትግባር ክጥቀመሉ ዝፍትን ፍልልያትና ደረት ክንገብረሎ ኣሎና።"***

ቀጺሉ እቲ ኣዋጅ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታት ሰውራ ኣመልኪቱ።

***"ሰውራና ሎሚ ኣብ ውሽጢ'ቲ ነዊሕ ገድላዊ ታሪኹ ብዝጸንከረ ኩነታት ይሓልፍ ኣሎ። ካብ 1968 ጀሚሩ ሽግራት እናገደደ ሰለዝኸደ፡ ንሰውራዊ ስራሕ ኣልሚሱ። ኣብ መንጎ ክፍልታት ሰውራ ምርሕሓቕ ዘኸተለ ዓቢ ሰለሎ ኣስዒቡ። ከምኡውን ኣብ ኩሉ ክፍልታት ብፍላይ ኣብ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መሰረታት ሓፋሽን ድስካለ ፈጢሩ።"*** ኢሉ።

እቲ ኣዋጅ ንባህርያት ናይቲ ፍልልይ ዘይገልጽን ዘይግምግምን ሓፈሻውን ናብ መጸኢ ዝማዕደወን ነይሩ። ብዝኾነ ግን ኣብቲ እዋን እቲ፡ ኣብ ናይ ሓባር ገምጋም ክትስማማዕ እውን ቀሊል ኣይኮነን።

እንተ ጉባኤ ዘሕለፎ ውሳነታት ብዛዕባ ክልተ ጉዳያት ኢዩ ነይሩ። ብከምዚ ዝስዕብ ከኣ ቀሪቡ።

"1. ***ምስ መሪሕነት ክፍሊ ብምስታፍ ነቲ ክፍሊ እተመሓድር ብ15 ኣባላት ዝቆመት ኮሚተ ምቛም።***

2. ***ጠቕላላን ጥዑይን ሓድነት ሰራዊት ንምርግጋጽን ሃገራዊ ሓድነት ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ሃገራዊ ጉባኤ ንምጽዋዕን ኣብ መንጎ ሰራዊትን ህዝብን ድልዱል ሰውራዊ ዝምድናታት ንምፍጣርን ምእንቲ ናብኡ ዘብጽሕ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንምጥጣሕ ምስ ካልኦት ሓይልታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝራኸብ ወተሃደራዊ ልኡኽ ካብ ምምሕዳራዊት ኮሚተ ምልኣኽ።***"

ጉባኤ ነቲ ዝተበገሰሉ ክልተ ዕላማታት ኣረጋጊጹ ኢዩ። ምናልባት ኣብ መጀመርታ ክትርእዩ ከሎኻ እቲ ውሳኔታት ካብ ምንጻሩ ዝተላዕለ መግለጺ (Comment) ዘድልዩ ኣይመስልን ኢዩ። ይኩን'ምበር፡ ገለ መግለጺ ምሃብ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርኣየና።

- ቀዳማይ ውሳነ፡ ቀንዲ ትርጉሙ ንመሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ብግብሪ ካብ ስልጣኑ ምውራድን፡ ምምሕዳር ክፍሊ ንኣማሓዳሪት ኮሚተ ከምዝተዋህበን ኢዩ። እንተ'ቲ "***ምስ መሪሕነት ክፍሊ ብምስታፍ***" ዝብል ተወሳኺ ሓረግ፡ ብዘይካ ንመሪሕነት ክፍሊ ክብሪ ምሃብ ካልእ ትርጉም የብሉን። መሪሕነት ክፍሊ ድማ ንጠለብ ጉባኤን ውሳኔታቱን ሰለዝተቐበለ ድማ እንተ ወሓደ እዚ ክብሪ'ዚ ከወሃቦ ዝግባእ ኢዩ። እቲ ኣብ ካልኣይ ውሳነ ዝመጸ፡ ካብ ምምሕዳራዊት ኮሚተ ናብ ካልኦት ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ወተሃደራዊ ልኡኽ ምስዳድ ዝብል ከኣ፡ ጉዳይ ምክትታል ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ካብ ኢድ መሪሕነት ክፍሊ ከም ዝወጸ ኢዩ ዝሕብር። ብግብሪ ከኣ ንሱ'ዩ ተፈጺሙ።
- እንተ'ቲ ካልኣይ ውሳነ፡ ክልተ ኣገዳስቲ ትርጉማት ዝሓዘ ኢዩ። ቀዳማይ፡ ስምረት ሰራዊት ብመገዲ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክረጋገጽ ኣብ ዝብል ሓሳብ ምስምማዕ። ጉባኤ ስሉሳዊ ሓድነት ንምስማር ሰራዊት ብዝምልከት ዝተወሰነ

ሓሳብ ኣየቕረበን። እኳ ድኣ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ "**ክልቲኣን ክፍልታት ናብ ሓድነት ንኽጽንበራ ኣፍደገ ክፉት ኢዩ።**" ብምባል ጥራይ ኢዩ ገዲፉዎ። እዚ ሓሳብ'ዚ ድማ ብዙሕ ትርጉማት ክወሃቦ ዝኽእል ኢዩ። ሓደ ካብኡ ክልቲኣን ክፍልታት ናብቲ ዝተረጋገጸ ሓድነት ክጽንበራን ንመሪሕነቱ ክቕበላን ዘስምዕ ኢዩ። ከምኡ'ውን እዚ ውሳነ እዚ በቲ ካልእ ሸንኽ ነቲ ዋላ'ውን ሓድነት ስራዊት እንተዘይተኻእለ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምርግጋጽ ሓድነት ሰውራን ወተሃደራዊ መሳርሒታቱን ብዝምልከት ሓለፍነቱ ምእንቲ ክስከም ሃገራዊ ጉባኤ ኽካየድ ንዝቐርብ ዝነበረ መጸዋዕታታት ምስጋሩ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ትርጉም ከኣ ንወተሃደራዊ ጉባኤ ከም ኣገዳሲ ማዕርፎ ምእማኑ ብኻልእ መገዲ ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ዘይምርካብ ይቕሬታ ምሕታት ወይ ነብሰ ነቀፌታ ምግባር ምምሳሉ ኢዩ።

ብዝኾነ ቐዳመይቲ ክፍሊ ውሽጣዊ ቅልውላዋታ ክትሰግሮ ክኢላ ኢያ። ከምኡ እውን ኣብቲ እዋን'ቲ ሽግር ሰውራ ኣብ ምፍታሕ ብዓቕማ ክትሳተፍ ክኢላ። ነዚ ከረጋግጸ ዝኽኣለ ከኣ እቲ ነቲ ዝጸንሐ ድሑር ዝምድናታት ዝሰገረ ኣብ ውሽጢ'ቲ ክፍሊ ዝተኻየደ ቃልሲታት ኢዩ። እዚ ድማ ካልኦት ክፍልታት ብከምኡ ዕምቆትን ትሕዝቶን ዘይሓለፍኦ ፍሉይ ተመኩሮ ኢዩ ነይሩ።

## ጉባኤ ካልኣይቲ ክፍሊ

ካብ ኵናት ሓልሓል (6 መስከረም 1968) ክሳብ መወዳእታ ናይቲ ዓመት'ቲ ንሓለፍትን ተጋደልትን ካልኣይቲ ክፍሊ ጽንኩር እዋን ኢዩ ነይሩ። እቲ ክፍሊ ኣብ ኵናት ሓልሓል 60 ስውኣትን ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾነ ኣስታት 90 ውጉኣትን ከሲሩ ኢዩ። እዚ ድማ ብቑጽሪ ክርኣ ከሎ ርብዒ ተጋደልቲ ናይቲ ክፍሊ ማለት ኢዩ። እቲ ንምረት ናይቲ ክፍሊ ዘጋደደ ግን ኣብቲ ኵናት መብዛሕትኦም ንኣሽቱ ሓለፍቲ ሰራዊት ከም መራሕቲ ጋንታታትን መሳርዕን ከምኡውን ኣብ ኲናት ዝተመኮሩ ገዳይም ተጋደልትን ብመስዋእትን መውጋእትን ሰለዝተኸሳሩ ኢዩ። ብፍላይ መስዋእቲ መራሒ ክፍሊ ዑመር እዛዝ ከኣ ነታ ክፍሊ ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ ነይሩ። ዑመር እዛዝ ሓደ ካብ ዓንድታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ኮይኑ ተወዳደርቲ ከይተረፉ ዘመስግንዎ ብዙሕ ጽቡቕ ሸነኻት ነይሩዎ።

ዕማም ዳግመ ስርርዕ ክፍሊ ኣብ ምክትል መራሒ ክፍሊ ሙሓመድ ዑመር ኣደምን ፖለቲካዊ ኮሚሽነር ማሕሙድ ኢብራሂምን (ቶኪኒ) ሓላፊ ጸጥታ ሳልሕ ሓዮቲን ካልኦት ኣባላት መሪሕነት ክፍሊን ኢዩ ወዲቑ። እዞም ኩሎም ሓለፍቲ ከኣ ነቲ ብኵናት ዝመጸ ጸገማት ባዕላቶም ክፈትሕዎ ነይሩዎም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓገዝ ክገብረሎም ዝኽእል ማእከላይ መሪሕነት ኣይነበረን።

ኵናት ሓልሓል ምስ ምክያድ ጉባኤ ዓንሰባ ምፍጻሙን፡ እቲ ካብ ጉባኤ ዓንሰባ ዝወጸ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት፡ ንመሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ ንጉባኤን ነቲ ሓድነት ሰራዊት ንምርግጋጽ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪታትን ንምፍሻል ኢዩ ኵናት ኣካይዱ ኢሉ ምኽሳሱ ከኣ፡ ነቶም ሓቅታት ናይቲ ኩነታት ዘይፈልጡን ብዘጋጠሞም ክሳራን ፍሽለትን ዝሳቐዩ ዝነበሩ ካብ ብጾቶም ሞራላዊ ደገፍ እምበር ነቐፌታ ዘይጽበዩ ዝነበሩ ተጋደልቲ ነይታ ክፍሊ ብኣሉታ ጸልይዎም ነይሩ።

እታ ክፍሊ ንገለ ኣዋርሕ ክሳራታታን መቑስልታን ንምፍዋስ ካብ ፖለቲካዊ መስርሕ ወጺኣ ኢያ። ብሓቂ ከኣ መራሕቲ ናይታ ክፍሊ ሓድነት ናይታ ክፍሊን፡ ነቲ በቲ ዘጋጠመ ክሳራታት ብፍላይ፡ ብዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታት ሰውራ ከኣ ብሓፈሻ ተተንኪፉ ዝነበረ ሞራላዊ መንፈስ ተጋደልቲ ክመልስዎ ክኢሎም ኢዮም።

ካልኣይቲ ክፍሊ ምስ ኩሉ'ቲ ውሽጣዊ ሽግራታ፡ ሓደ ካብኡ እቲ ንዝንኣ ዘኽፍኣ ጉዳይ ሳልሕን ምስ ቐዳመይቲ ክፍሊ ክሳብ ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ወተሃደራዊ ግጭት ዝቐርብ ዝነበረ ናይ ዶብ ፍልልያትን፡ ካብ ኩለን ክፍልታት ብዝያዳ ርግኣት ዝነበራ ኢ.ያ ነይራ። መራሒኣ ዑመር እዛዝ ካብቲ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሮ ተመኩሮ ተበጊሱ፡ ክፍልታት ናይታ ክፍሊ ኣቐሙን ብንጹር ኣገባብ ዕማማቱን ዝምድናታቱን ኣነጺሩ ኢ.ዩ። ከምኡ'ውን ሕማምን ዓመታዊ ዕረፍትን፡ እቲ ክፍሊ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ንዘለዎ ፋይናንሳዊ ጉብኣትን ብግሉጽን ፍትሓውን ዝኾነ ኣገባብን ኣብ ምውዳብ ታዓዊቱ ኢ.ዩ። እዚ ከኣ ንተጋደልቲ ናይታ ክፍሊ ዝያዳ ከም ዝተኣሳሰሩን ኣብ ልዕሊ መሪሕነቶም እምነት ከም ዝሓድሮምን ገይሩ ኢ.ዩ።

ብዘይካ'ዚ ከኣ መርገጺ መሪሕነት ክፍሊ ኣብቲ ንወተሃደራዊ ክፍልታት ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ሓጎጽጎጽ ዝያዳ ተመዛዛንን ዕጉስን ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ መሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ፡ ብመሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ንዝተሰጉ ተጋደልቲ በቲ ኣብ ክፍሎም ዝነበሮም ደረጃ ተቐቢሎዎም። ከምኡውን ካብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝተሰጉ ባእታታት (እሳላሕ- ምእራም) ዓብደልቃድር ሮመዳን፡ ዑስማን እዛዝን ዑስማን ዓጂብን ተቐቢሉ በቲ ኣብ ክፍሎም ዝነበሮም ደረጃ ሓላፍነት ብዝመዛዘን መዲቡዎም። ኣብ ርእሲ'ዚ ኩሉ ከኣ ሓሙሻይቲ ክፍሊ ኣብ ቦታኣ ንኽትጸንዕን ንኽትቅጽልን መሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ ኣወንታዊ ተራ ተጻዊቱ ኢ.ዩ።

ምስ እዚ ኩሉ ካልኣይቲ ክፍሊ እትግለጸሉ ዝነበረት ኣወንታዊ ቅጽላት፡ (ምናልባት ጉባኤኛታት ኣብ ዓረዳይብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንኽተኣንግድ ንኽመርጸዋ ዝብቃዓ) ኣብቲ ንሳ ክተዳልወሉ ዝነበራ ጉባኤ ዓንሰባ ዘይምርካባ እቲ ንሰውራ ካብቲ ዝኸዶ ዝነበረ ሓደገኛ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ንምውጻእ ተስፋ ዝነበሮ ሓድነት ሰራዊት ኣንጻሩ ደው ከም ዝበለት ኣምሲልዋ።

* * *

መርገጺ ካልኣይቲ ክፍሊ ኣብ ጉባኤ ዓንሰባን ስሉሳዊ ሓድነትን ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ንወገን እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ንክምዝምዞ ዓደሞ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ምስ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽም ኣብ ጥሪ 1969 ብመገዲ ፖርትሱዳን ኣቢሉ ናብታ ክፍሊ በጺሑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ዕላማ ናይቲ ዑደት ድሕሪ ኵናት ሓልሓል ኩነታት ናይቲ ክፍልን ጽልዋ ናይቲ ኵናትን ንምፍላጥ ከምዝተኻየደ'ኳ እንተተገለጸ፡ ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ግን ዋላ ሓደ ዝኣመኖ ኣይነበረን።

መሪሕነት ክፍሊ ግን ነቲ ዑደት ካብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ካልኣይቲ ክፍሊ ስዓቢ.ት ገለውዴዎስ ኢ.ያ፡ ዕላማ ናይቲ ዑደት ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ንምርግጋጽ ኢ.ዩ ትብሃለሉ ዝነበረት ፍልያ ኣይርኣየቶን። ስለዚ ከኣ እቲ ዑደት ብኣረኣእያ መሪሕነት ክፍሊ ክትቅበሎ'ን ውጽኢ.ቱ ክትሰከምን ዘጸግም ከም ሓድሽ ፖለቲካዊ ጾር ተራኣየ።

መሪሕነት ክፍሊ ነቶም በጺሖቲ ከምዘይተደለይቲ ኣጋይሽ ኢ.ዩ ርእዩዎም። ብቀጥታ ኣብቲ ክፍሊ ምስ መጹ ከኣ ብዝመጽእዎ ክምለሱ ብምሕባር፡ ምስኣታቶም ብዛዕባ ኩነታት ሰውራን ፍታሕን ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ምይይጥ ከምዘይኣቱ ገለጸሎም። ስለዚ ድማ መሪሕነት ክፍሊ ብወገን ከሰላ ክሳብ ዶብ ሱዳን ዘብጽሕዎም ተጋደልቲ ኣሰንዩ ሰደዶም።

ኩሉ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ንሓድነት ሰራዊት ዝጽውዕ ኢ.ዩ ነይሩ። እቲ ተጽዕኖታት፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ'ተን ክልተ ክፍልታት ግብራዊ

ስጉምቲታት ንኽወሰዳ ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ጉባኤ ቐዳመይቲ ክፍሊ ተኻይዱ።

* * *

ጉባኤ ካልኣይቲ ክፍሊ ብክልተ መጋባእያታት ኢዩ ተፈጺሙ። እቲ ቀዳማይ ብ6-4-1969 ክካየድ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ብ13-5-1969 ተሰላሲሉ። **"ጻውዒት ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ". ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ከኣ ኣዋጅ ኣውጺኡ።**

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ ከኣ "**ካልኣይቲ ክፍሊ ንዓቢ ኤርትራዊ ሃገር ንምግልጋል ኣብ ሓፋሻዊ ረብሓ ልዕል ጥንቃቐ ጸኒሕዎን ኣለዎን። ኣብ ቅድሚ ኩሉ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ውድባውን ቅልውላዋትን ምምዝማዝ ስምዒታት ... ወዘተ ደው ኢላ ጸኒዓ ኢያ። ሎሚ ከኣ ኣብ መንጎ ኩለን ክፍልታት ሰውራ ምቅርራብ ንምፍጣር ዝተኻየደ ጻዕሪታት ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ንምእንቲ ሓፈሻዊ ረብሓ ኣብ መንጎ ኩሎም ተጋደልቲ ኣብ ሜዳ ንሰውራ ንምድሓን ንዓወት ጉዳይ ኤርትራ ቀዳምነት ብምሃብ ርክብ ክካየድን ነቲ ዘየገልግል ፍልልያትን ትምክሕቲታትን ንጎኒ ክንገድፎን ነዚ መጸዋዕታዚ ከነመሓላልፍ ወሲና።**" ይብል።

ብድሕሪኡ እቲ ኣዋጅ ነቲ ጉባኤ ዘሕለፎ ክልተ ውሳነታት ኢዩ ኣቕሪቡ። ንሳተን ከኣ፡ ርክብ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ንምእንቲ ጠቅላላ ጉባኤ ግሉጽን ሕውነታውን ምርድዳእ ክካየድ፡ "**ምስ ኩሎም ወገናት ሰራዊት ዝራኸባ ክልተ ኮሚተታት ምቛም።**" ኢዩ። እንተ እተን ኮሚተታት፡ ሓንቲ ምስ ስሉሳዊ ሓድነት እትራኸብ ክትከውን ከላ፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ ምስ ቀዳመይቲ ክፍሊ እትራኸብ ኢያ ነይራ።

* * *

እምባኣርከስ፡ በዚ ድማ ክልቲኣን ክፍልታት ነቲ ኣብ ጉባኤ ዓረዳይብ ድሕሪ ምስምማዐን ምስታፍ ኣብየን ዝነበራ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዝብል ሓሳብ ኣብ መጨረሽታ ተቐቢለንኦ። ምናልባት ኣብ መርገጺኣን ሓድሽ ነገር እንተነይሩ፡ ወተሃደራዊ ጉባኤ ሃገራዊ ጉብኤ ክጽውዕ ከምዘለዎ ቅድመ ኩናት ብዝመሰል ምስ ምክያድ ጠቅላላ ጉባኤ ምትእስሳረን ኢዩ።

ኣብ መርገጺ ክልቲኡ ጉባኤታት እንዕዘቦ ፍሉይ ነገር ከኣ፡ ጉባኤኛታት ነቲ ክልተ እድሪሳት ምስ ክልተ ካልኦት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ኮይኖም ኣብ መጀመርታ ናይቲ ዓመት ዝጸውዕዎን ንዕኡ እተዳሉ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ዘቆምሉን ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ክሰግርዎ ምክኣሎም ኢዩ። እዚ ድማ ንክልተ እድሪሳት ምስጋር ማለት ኢዩ። ነዚ ብወገን ክልቲኡ እድሪሳት ዝተገበረ ፈተነ ምዕዳም ንሃገራዊ ጉባኤ ኣብዚ ዝስዕብ ሕጥቦ ጽሑፍ ክንርእዮ ኢና።

ካብ ጉባኤ ዓንሰባ ድሕሪ ምትራፍ ክልቲኣን ክፍልታት ኣብ ዕጽው መገዲ በጺሓን፡ ነቲ ዝተራኣየ ናይ ምፍንጫልን ምፍንታትን ኩነታት መተካእታ ዝኾውን መርገጺ ከምጸኣ ኣይካኣላን፡ ላዕለዋይ ባይቶ ብክልቲኡ ሸነካቱ ፍታሕ ከምጽእ ከምዘይክእል'ውን ተረጋጊጹ። ብሰንኪ'ዚ ኣብ ልዕሊ ክልቲኣን ክፍልታት ናብ ሓድነት ሰራዊት ዘብጽሕ ግብራዊ ስጉምትታት ንኽወስዳ ብርቱዕ ጸቕጢ ይካየደለን ነይሩ፡ ንሱ'ዩ ድማ ናብቲ ክልተ ጉባኤታት ዘብጸሐ።

ውጽኢት ክልቲኡ ጉባኤታት፡ ኣዋጃቱ ብሰፊሕ ድሕሪ ምዝርጋሑ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ኣወንታዊ ሃዋህው ፈጢሩ። እቲ ሽዑ እናማዕበለ ዝኸይድ ዝነበረ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ኩነታት ብሃንደበት ናብ ቱስፍውን ኣብ መጻኢ ምምዕዳውን ተቐይሩ። ነፍሲ ወከፍ ከኣ እቲ ንሰውራ ኣጋጢሙ ዝነበረ ሰለሎ ኣብ መጨረሽታ ፍታሕ ረኺቡ ዝብል ስምዒት ሓደሮ።

## 3. ላዕለዋይ ባይቶ

ፍልልያት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ 1969 ናብ ጋህዲ ወጺኡ።

ክልቲኦም ተቀራቀስቲ ወገናት ነቲ ምቅልቓል ስሉሳዊ ሓድነት ንኽትኩስ ምኽንያት ዝኾኖ ፍልልያቶም ንምቁጽጻር እንታይ ጻዕሪታት ገይሮም ንፈልጦ ነገር የለን። ይኹን'ምበር እቲ ምስ ምጅማር ሓድሽ ዓመት ብሩህ ዝኾነ ነገር ፍልልያቶም ናብ ከምለሰሉ ዘይክእል ደረጃ ከም ዝበጽሐን፡ ነፍሲ ወከፍ ወገን ውጽኢቱ ዋላ ነቲ ዝነበረ ምፍንጫል ዘዕሙቕ እውን ይኹን፡ ምርጨኡ ከምዝወሰነ ኢዩ።

- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብ መጀመርታ ብዘይምውልዋል ጸግዒ ስሉሳዊ ሓድነት ኢዩ ወሲዱ። ኩሉ ሓገዛቱ ከኣ ነቲ ክልተ ክፍልታት ብምሕራም ናብ ስሉሳዊ ሓድነት ኣቕኒዑዎ። ዋላ'ኳ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ደገፉ ንስሉሳዊ ሓድነት ብግልጺ እንተ ዘይኣወጀን እተን ክልተ ክፍልታት ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ብዘይ ምስታፈን ብጋህዲ ርእይቶኡ እንተዘይሃበን ሓገዙ ንስሉሳዊ ሓድነት ግን ኣይሓብኣን። እዚ ከኣ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት፡ ብቐዳምነት ከኣ ንኣቦ መንበሩ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ጥርጣረታት ኣሕዲርሎም። ብዛዕባ'ዚ ከኣ ኣቦ መንበር ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ድሒሩ **"ኣረኣእያ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ስሉሳዊ ሓድነት ብወተሃደራውን ፖለቲካውን ነተን ክልተ ክፍልታት ቐዳመይቲን ካልኣይትን ክዕብልል እሞ፡ መሰርሕ ሰውራ ንምቁጽጻር ኢዩ።"**[117] ክብል ገሊጹ።

ብዘይጥርጥር እተን ክልተ ክፍልታት ወተሃደራዊ ሓገዛት ዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብኣተን ብምቁራጹ ጽልዩወን ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ጽልዋ ክሳብ ንምርጫ ተጽዕኖታቱ ናብ ምቅባል ዘብጽሐን ኣይነበረን። እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ልዕሊ'ተን ክልተ ክፍልታት ዝተወሰደ መርግርጺ፡ ኣብ ኣእምሮ ሓለፍትን ተጋደልትን ከም ጸላእቲ ተራኢና፡ ካብ ብስም ሰውራ ዝተረኽበ ሓገዝ ከም ዘይረኽቡ ምግባሩ ድማ ዕላማኡ ንረብሓ ስሉሳዊ ሓድነት ንምምብርካኾም ኢዩ ዝብል ስምዒት ኣሕደረሎም።

ይኹን'ምበር ካብ ሓገዛት ናይ ዑስማን ሳበ ምቁራጹ ልዕሊ ኩሉ ዝተጎድኡ እቶም ኣብ ከሰላ ዝነብሩ ዝነበሩ ስድራታት ስውኣት ኢዮም። እዞም ስድራታት፡ ዋላ እኳ ብዝተቀራረጸ ኣጋባብ ይኩን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተስፋ ዝህቦም ሓገዛት ይረክቡ ነይሮም ኢዮም። ሕጂ ግን ብሰንኪ እቲ ፍልልያት ኩሉ ተቆሪጹዎም ኢዩ።

- እንተ ክልቲኦም እድሪሳት ብወገኖም ኣብ ለካቲት 1969 ነቲ ዝነበረ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ዘዕሙቕ ስጉምቲ ኢዮም ወሲዶም። ንሱ ከኣ ንጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ምጽዋዕን እተደልወሉ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ምቛምን ነቲ ብሰንኪ ሰውራዊ መሪሕነት ስርሑ ምግዳፍ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ንምምላእ ግዝያዊ ሰውራዊ

[117] ማሕሙድ ዑስማን ኤሎስ፡ "ኤርትራን ሽግር ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ መድረኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ" (ብቛንቛ ዓረብ) ገጽ 123

መሪሕነት ኣብ ከሰላ ምቛምን ኢዩ።[118] እዚ ሸነኽ እዚ ነዚ ስጉምቲ እዚ ንምውሳድ ዝገደዶ ምኽንያታት ዑስማን ሃገራዊ ጉባኤ ምግባር ነጺጉ ኣምሳያኡ ኣብ እዋን ሕጃ ኣብ ሱዑድያ ወታሃደራውን ፖለቲካውን ካድራት ዝሳተፍዎ ጉባኤ ንክግበር ኣሚሙ ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ኣብዚ መድረክ እዚ ካብ ኣባላት ላዕለዋ ባይቶ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ምስ ክልቲኦም እድሪሳት ደው ክብሉ ከለው ተድላ ባይሩ፡ ዑስማን እድሪስ ኽያርን ጣሃ ሙሓመድ ኑርን ከኣ ምስ ዑስማን ደው ኢሎም።

ክልቲኦም ሸነካት ላዕለዋ ባይቶ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ንግርጭታቶም ኣብ ቅድሚ ህዝብን ተጋደልትን ካብ ምትኳስ ድሕር ኣይበሉን። ዝወስድዎ ስጉምትታት ድማ ነዚ ዘረጋግጽ ኢዩ ነይሩ።

ሓቂ'ዩ ክልተ እድሪሳትን ምስኦም ደው ዝበሉ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ኣብቲ እዋን'ቲ ክንዲ'ቲ ዑስማን ሳበ ዝውንኖ ዝነበረ ፋይናንሳዊ ዓቕሚታት ይውንኑ ኣይነበሩን። ይኹን'ምበር እንተ ድኣ ተገዲዶም ንዑስማን ኣብ ወጻኢ ንምውድዳሩ ዓቕሞም ኣነኣኢሶም እውን ኣይርእዩን ነይሮም።

እንተኾነ ግን እቲ ክውንነት ኣብቲ እዋን'ቲ ንክልቲኦም ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ሰጉሩዎም ኢዩ። ፍልልያት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ብጋህዲ ምቅልቓሉን ብፍላይ ከኣ ክልቲኦም ተሃላላኺቲ ወገናት ናይ ምፍንጫል ክውንነት ንኽቅጽል ምፍታኖምን ንዝሰፍሐ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መሰረታት ፍታሓት ኣብ ምንዳይን ነቲ ዝነበረ ናይ ምፍንጫል ክውንነት ንምዕማቕ ዝካየድ ንዝነበረ ፈተነታት ንምምካት ተጸንቢሮም።

መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ውሽጢ፡ ነቲ ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሱዳን ዘጋጠመ ናይ ምፍንጫል ክውንነትን ንዕኡ ንምዕማቑ ዝተገብረ ፈተነታትን ብምስጋር ምስተን ክልተ ክፍልታት ንምርኻብ ብ25 ሕዳር 1968 መሪሕነታዊ ልኡኽ ሰዲዱ። እቲ ልኡኽ ብመገዲ ወተሃደራዊ ጉባኤ ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ምሉእ ንምግባር ምስ ክልቲኣን ክፍልታት ተመያይጡ። በዚ ስጉምቲ እዚ ከኣ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ውሽጢ ሓድነት ሰራዊት ንምፍጻም ናብ ጉባኤ ክኣቱ ድልው ምዃኑ ኣረጋገጸ።

ምስ ስሉሳዊ ሓድነት ዝነበረ ፍልልያት ንምጽባብ፡ እቲ ብወገን ክልተ እድሪሳት ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ፡ ብቀዳምነት ኣብ ሱዳን ብካልኣይ ሸነኽ ከኣ ኣብተን ክልተ ክፍልታት ዝቐረበ መጸዋዕታ ሰፊሕ ተቓውሞ ተኻይድሉ።

ሓደ ካብቲ ተቓውመታት ንኣብነት፡ መጸዋዕታ ንሃገራዊ ጉባኤን ምቛም ኣሰናዳኢት ኮሚተን ቅድሚ'ቲ ካብ 20-23 ለካቲት ዝተኻየደ ጉባኤ **"ሓልፉ"** ሰለዝመጸ ጉባኤ ናብ ወገን ክልተ እድሪሳት መልእኽቲ ብምስዳድ፡ **"ክሳብ ድሕሪ ኣብ ገዳርፍ ብ10 መጋቢት ክካየድ ተወሲኑ ዘሎ ጉባኤ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ሃገራዊ ጉባኤ ስርሓ ደው ከተብል ኣለዋ"**። ዝብል መርግርጺ ምውሳዱ ኢዩ።

ጉባኤ ገዳርፍ ከኣ ነቲ ብወገን ክልተ እድሪሳት ዝቐረበ መጸዋዕታ ንሃገራዊ ጉባኤን ምቛም ሰውራዊ መሪሕነትን ብምንጻግ፡ ነዚ ዝስዕብ ወሲኑ፡ **"ውሳኔታት ናይቲ ኣብ ገዳርፍ ዝተቓንዐ ጉባኤ ኮሚቴታት ጨናፍርን ህዝባውያንን ንምሕባሩ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ምርኻብ፡ ንግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት ሰሪዙ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ**

[118] እቲ ዝቛመ ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይርከብዎ። ሳልሕ ኣሕመድ ኢያይ ኣቦ መንበር፡ ስሌማን ሙሳ ሓጅ፡ ሙሓመድ ዑመር ያሕያ፡ ዓሊ ሙሓመድ ሳልሕ፡ ሓምድ ማሕሙድን ኢብራሂም እድሪስ ቶቲልን።

**ንብረት ነቲ ክሳብ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየድ ተመዚዙ ዘሎ ኣብ ጉባኤ ገዳርፍ ዝተመርጸ ማእከላይ ሽማግለ ንኸረክቦ ጠለብ ምቕራብ።"**

ብልክዕ ከኣ ድሓሪ ጉባኤ ልኣኽ ማእከላይ ሽማግለ ናብ ካርቱም ብምኻድ ምስ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ተራኺበ። ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ብወገኑ ንብረት ሰውራዊ መሪሕነት (ብዘይካ ሰነዳት) ንማእከላይ ሽማግለ ክረክብ ኣሰናዳኢት ኮሚተ እውን ዝኾነ ምድላዋት ንጉባኤ ንክይተካይድ ተሰማምዐ።

ብሓቂ፡ መብዛሕትኦም ኣባላት ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነትን ኣሰናዳኢት ኮሚተ ጉባኤን ነቲ ብቐዳምነት ኣብ ባይታ ክረጋገጽ ዝነበሮ ሓድነት ሰራዊት ኣየገልግልን ኢዩ ብምባል ንዝተዋህቦም መደብ ኣይተቐበልዎን ነይሮም።

ደድሕሪ'ዚ ከኣ፡ ነቲ ከፋላዊ ካብ ምዃን ዘይሓልፍን ብዘይካ ምፍንጫል ካልእ ጥቕሚ ዘይነበሮን ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ብወገን ክልተ እድሪሳት ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪታት ገደብ ዘትሓዞ ጉባኤ ናይ ክልተ ክፍልታት መጺኡ።

* * *

ወገን ክልተ እድሪሳት ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ካብቲ መዲቡዎ ዝነበረ ምክያድ ከፋላዊ ጉባኤ ከዝልቅ ምቅባሉ ዝደረኾ ፖለቲካዊ ሕሳባት ነይሩ ምባል ካብ ሓቂ ዝራሓቀ ኣይኾነን። ከምኡውን ምዝላቑ ኣብ ምክያድ ጉባኤታት ናይተን ክልተ ክፍልታት ሓጋዚ ተራ ተጻዊቱ ምባል'ውን ሓቂ ኢዩ። ይኹን'ምበር ንኩሉ'ቲ ምስ መርገጺታት ናይተን ክልተ ክፍልታትን ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ብፍላይን ዝተኣሳሰር ምዕባለታት ምስ እዚ ወገን'ዚ ምትእስሳሩ ኣብ ልዕሊ'ቲ ነቲ ዝተራኣየ ምፍንጫል ንምጽባብን ሓድነት ሰውራ ንምርግጋጽን ዝተካየደ ቃልስታት ምብዳል ኢዩ። ካልኣይቲ ክፍሊ ንገላውዴዎስ ኣብ ምቕባል ዝወሰደቶ ነጻጊ መርገጺ፡ ኣብ ገዳርፍ ዝተቓንዐ ጉባኤ ኮሚተታት ጨናፍርን ህዝባውያን ኮሚተታትን ነቲ ብወገን ክልተ እድሪሳት ዝተጸወዐ ጉባኤ ምንጻግን፡ ኣብ ቐዳመይቲ ክፍሊ ዝተኻየደ ጻዕሪታትን ነቲ ኣብ መጨረሽታ ኣብ ምክያድ ጉባኤታት ናይተን ክልተ ክፍልታት ዘብጽሐ ሓድነታዊ መስመር ኣብ ምምዕባል መሰረታዊ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ።

# 4. መልሰ ተግባር ስሉሳዊ ሓድነት

መልሰ ተግባር መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ውጽኢት ጉባኤታት ናይተን ክልተ ክፍልታት፡ ምስቲ ልኡኹ ኣብ ሕዳር 1968 ንክልቲኣን ክፍልታት ዝገለጸ መርገጺ ዝሳነ ኣውንታዊ ኢዩ ነይሩ። ብሳላ'ዚ መርገጺ እዚ ከኣ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይሓልፍ ውሱን ግዜ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንኽካየድ ናብ ስምምዕ ክብጻሕ ተኻኢሉ።

መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ምርጫታቱ ስሙር ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ ኣባላቱ ፍልልያትን ዘይምርድዳእን ይምዕብል ነይሩ። ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዶብሓ ክኣቱ ከሎ ኣብ ናይ ምፍንታትን ዘይምስምማዕን ኩነታት ኢዩ ነይሩ።

ብዛዕባ ፍልልያት ናይቲ መሪሕነት ክትዛረብ ግን ብቀዳምነት ኣድላዪ ሰነዳት ብዘይምህላው፡ ብካልኣይ ደረጃ ከኣ ብዛዕባኡ ክሳብ ሕጂ ዝተጻሕፈን ዝዝረብን መርትዖታት ዝጎደሎ ካብ ፖለቲካዊ ዕላማ ሓራ ዘይኮነ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ብምዃኑ ቀሊል ኣይኮነን። ሰለዚ ድማ ብዛዕባኡ ምትንታን ጥቕሚ የብሉን። ምናልባት ግን ዝስዓብ ምዕባለታት ገለ ጎኒታቱ ከብርሃልና ይኽእል ይኸውን።

እንተ ብዛዕባ እቲ ቀንዲ ሓጋዚ ስሉሳዊ ሓድነት ዝኾነን ካብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ውድድራት ላዕለዋይ ባይቶ ተበጊሱ ብኹሉ ዓቕሙ ንስሉሳዊ ሓድነት ዝሓገዘ ዑስማን ሳልሕ ሳበ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ንፖለቲካዊ ድሌቱ እንተዘይዕንቀጾ ከምቲ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ዝበሎ፡ ስሉሳዊ ሓድነት መሰርሕ ሰውራ ንክቀጻጸር ብኡኡ ኣቢሉ ንሰውራ ክመርሕን ካብ ምስራሕ ድሕር ኣይምበለን ክብሃል ይካኣል ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ ጉባኤ ብዙሕ ፖለቲካዊ ሕሳባትን ዝበዝሐ ስግኣታትን ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋሁው ብ10 ነሓሰ 1969 ኣብ ኣዶብሓ ተኻየደ። ኩሉ ከኣ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ካብቲ ናይ ቐደም ፍልልያት፡ ብፍላይ ከኣ ፍልልያት ላዕለዋይ ባይቶ፡ ዝነቀለ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ ኣብ ውሽጢ ፖለቲከኛታት ተወዳደርቲ ናይ መኽሰብን ክሳራን ሓሳባት ቀንዲ ቦታ ክሕዝ ባህርያዊ ኢዩ።[119]

እምበ ኣብ ኣዶብሓ መን ከሲቡ መን ከ ከሲሩ?

# 5. ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ጉዳያትን ፍታሓትን

መሰረታዊ ዕማም ጉብኤ፡ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ምስማር፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምጽዋዕን ምድላውን፡ ነዚ ዕማም'ዚ ዘሳልጥ ግዝያዊ መልክዕ ዘለዎ መሪሕነት ኣብ ምቛምን ዝተሓጸረ ኢዩ ነይሩ።

እዚ ጉዳያት'ዚ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ዓመት ቅድሚ ጉባኤ ኣብ ዝተካየደ ቃልስታት ኣዝዩ ጎሊሑ ሰለዝነበረ፡ ምርግጋጹ ብዙሕ ክትዕ ዘየድልዩ ጉዳያት ይመስል ነይሩ። ብዘይካ'ዚ እውን፡ ጉባኤ ድሕሪ ብዙሕ ቁርቁሳትን ምትህልላኽን ሰለዝመጸ ብዘይካ ነዚ ዕላማታት'ዚ ምርግጋጽ ካልእ መተካእታ ከምዘየለ ኩሎም ወገናት ዓጊቦም ብምንባሮም፡ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ዳርጋ ምጽባይ ውላድ ሓዳስ ሰውራ ኤርትራ ዝቑጸር ዓቢ ህዝባዊ ተስፋታት ኣብ ዝሰፈኖ ሃዋሁው ኢዩ ተኻየዱ።

ጉባኤ ንዝተበገሰሉ መሰረታዊ ዕማማት ፈጺሙ። ነዚ ዝምልከት ዘሕለፎ ውሳነታት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

“1. **ምስማር ምምሕዳር ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ።**

2. **‘ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ’ ዝተሰምየ 38 ኣባላት ዘለዎ መሪሕነት ምቛም።**

3. **ጠቕላሊ ሃገራዊ ጉባኤ ክካየድን ንዕኡ እተዳሉ ካብ ወተሃደራትን ሲቪልን ኣሰናዳኢት ኮሚተ ምቛምን፡ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለት ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ምቹእ እዋን ይውስኖ።**

4. **ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሰውርኡን ዝተፈጸመ ጌጋታት እትምርምር ብ18 ኣበላት ዝቆመት መርማሪት ኮሚተ ምቛም።**

5. **ካብ ኩሉ ክፍልታት ንብረት ሰውራ እትርከብ ኮሚተ ምቛም።**”

ጉባኤ ዘውጽኦ ኣዋጅ ልዑል ሓላፍነት ዝነበሮ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ ፍልልያት ከይኣተወ ብዘስማምዕ መገዲ ፈቲሑዎ። ናብ ስምምዕ ዘብጽሕ እንኮ ኣገባብ ከኣ ንሱ ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ውን እተን ክልተ ክፍልታት ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ብዘይምርካበን ጉባኤ ካብ መጠን ንላዕሊ ይቕረ ኢሉለን ኢዩ። ንዘይምስታፈን ከኣ **“ብኩነታት ሰውራዊ ስራሕ ዝተኣሳሰር ህጹጽ ምኽንያታት”** ኢሉ ገሊጹዎ።

---

[119] እቲ ጉባኤ ዘካየደት ሰክረታርያ ብሳልሕ ሰይድ ሓዮቲ ትምራሕ ነይራ።

ይኹን'ምበር ጉባኤ ኣብ ውሽጡ ከምቲ ኣብ ኣዋጁ ዘንጸበረቐ ኣይኮነን ነይሩ። ብዛዕባ'ቲ ዝነበረ ናይ ምትእምማን ሽግርን ሕሉፍ መርገጺታት ዝገዘአ ጉዳያት ዝሕብር ብዙሕ ነገራት ተራእዩ። በዚ መዳይ'ዚ ብኣገዳስነቶምን ንፖለቲካዊ ሃዋሁው ጉባኤ ንምልላይን፡ ከምኡውን ኣብቲ ድሕሪ ጉባኤ ዝማዕበሉን ዝተራእዩን ፍልልያት ዝነበሮም ተራ ንምፍላጥን ክንርእዮም ዘለና ክልተ ጉዳያት ኣለው። ንሳቶም ከኣ ጉዳይ ምቛም ጠቅላሊ መሪሕነትን መርገጺ ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ባይቶን ኢዮም።

**ቀዳማይ፡ ምቛም ጠቅላሊ መሪሕነት፡** ምቛም ጠቅላሊ መሪሕነት ብክልተ መድረኻት ኢዩ ሓሊፉ። ቀዳማይ ምድረኽ ኣብ መሪሕነት ንኽሳተፉ ብቑዓት ዘይኮኑ ምውሳን፡ ካልኣይ መድረኽ ከኣ ምውሳን መጠን ውክልናን ኣገባብ ኣቓውማን ነይሩ።

- ኣብ ጉባኤ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ንምኻን ብቑዓት ዘይኮኑ ኣብ ምውሳን እቲ ናይ ቅድም ፍልልያት ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ካብ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት መሰረታውያን ባእታታት ቀንዲ ካብኣቶም እቲ "**ኣብ እዋን ቁርቁስ ወተሃደራዊ ክፍልታት ንመራሕቲ ክፍልታት ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ፖለቲካዊ ጸላኢ ዝነበረ**"[120] ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ ካብ መሪሕነት ክርሕቅዎ ከም ዝወሰኑ ሳልሕ ሕዮቲ ይኣምን። ኣስዒቡ ሓዮቲ፡ ንመራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ማሕሙድ ዲነይን መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ሙሓመድ ዑመር ኣደምን፡ መራሒቲ ክፍልታት ንምትሕስሳብ ክቐርቡ ሰለዝኾኑ ብዝብል ምኽንያት ኣብ'ታ ሓዳስ መሪሕነት ንኽይሕጸዩ ሓሳብ ከቅርቡ ከምዘዕገብዎም ይገልጽ። ብልክዕ ከኣ ዲናይ ነቲ ሓሳብ ኣቕሪቡዎ። መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ዋላ'ኳ እንተ ነጸጉ፡ ነቲ ኩነታት ንምፍታሕ ብዝተኻየደ መንጎኝነት ብዘይዕግበት ተቐቢሉዎ።
- ብዛዕባ መጠን ውክልናን ኣገባብ ኣቓውማ መሪሕነትን ጉባኤኛታት ብ38 ኣባላት፡ ካብኣቶም 18 ካብ ሰሉሳዊ ሓድነት፡ ብወገን'ተን ክልተ ክፍልታት ድማ 10 ካብ ነፍሲ ወከፍን መሪሕነት ክቖውም ተሰማሚዖም። ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ወገን ወከልቱ መሪጹ ንምጽዳቆም ናብ ጉባኤ ከቕርቦም ተወሲኑ።

እቲ ስልጠን ንረብሓኡ ንምድምዳም ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብሓባር ዝንቐሳቐስ ዝነበረ ኪዳን፡ እተን ክልተ ክፍልታት ጥራይ ንበይነን ኣይነበራን። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ዝተኸሰተ ፍልልያት፡ ሓደ ወገን ናይቲ መሪሕነት፡ ንሱ ከኣ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብመሪሕነት ኣቦ መንበር ስሉሳዊ ሓድነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ብምልኡ ኣብ ኪዳን'ተን ክልተ ክፍልታት ተጻንቢሩ ወይ ብኻልእ ኣዛራርባ ኣንጻር መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ደው ሰለዝበለ ንመርገጺ ናይቲ ኪዳን ኣሓይልዎ ኢዩ። ከምኡውን ኣባላት ስሉሳዊ ሓድነት ዝነበሩ መብዛሕትኦም መራሕቲ ሓሙሻይቲ ክፍሊ ናብቲ ኪዳን ሰለዝተሓወሱ መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ንበይኑ ከም ዝተርፍ ኾይኑ። ሰለዚ ከኣ እቲ ኪዳን ዘቆመ ወገን ንጉባኤ ሰለዝተቆጻጸሮ ውሳነታቱ ከሕልፍ ክኢሉ።

መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ነቲ ክውንነት እናፈለጠ እንከሎ፡ ኣብ ጉባኤ ንኽሳተፍ ምቕባሉ እንታይ ነይሩ ሕሳባቱ?

ዓብደልቃድር ሓምዳን ኣብቲ ዕለት ዘይብሉ "**ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሚዛን**" ብዝብል ኣርእስቲ ዘሕተሞ፡ መጽሓፉ (ብቛንቋ ዓረብ)፡ ብዛዕባ ውጥናት መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል። "**ዑመሮ ናብታ ካብ ኣዶብሓ እትመጽእ መሪሕነት ዝወሰኖም ባእታታት ንምምራጽ መደባቱ ንምሕባር ምስ ደገፍቱ ክራከብ**

[120] ማሕሙድ ዑስማን ኤሎስ፡ ኣብ "ኤርትራን ሽግር ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ መድረኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ" (ብቛንቋ ዓረብ)ገጽ 126

ጀሚሩ። ንሳሆ ብመሰረት ምስ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ዝገበሮ ስምምዕ ሓሙሽተ ቦታታት ሂቡዎም። ድሕሪ ክንደይ ጻዕሪ መሪሕነት ዝበሎም ባእታታት መረጹ ከኣ ኣብ ውሽጢ መሰረታት ንምጉስጓስ ክንንቀሳቐስ ጸዊዒና። ንሱ ግን እዚ ክገብር ከሎ ዕድሉ ኣብዚ ጉባኤ እዚ ሓቢእሉ ዝነበረን ምስኡ ኣብ ስሉሳዊ ሓድነት ናይ ሓጺር ግዜ ተመኩሮ ዘሕለፉ መሻርክቱ ዝነበሮም ዕግበታትን ኣይርድኦን ነይሩ።" ቀጺሉ ሓምዳን "ዑመሮ ዘይተረድአ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ምስቲ ዝቓዎሞ ኪዳን ምኳኑ ኢዩ።" (ገጽ 32)[121]

ካልኣይ፡ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ጉባኤ (ነቲ ብመሰረቱ ዘይነበረ) ሰውራዊ መሕሪነት፡ መራሕቲ ወተሃደራዊ ክፍልታትን ኣባላት ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ወጻኢን ክሳብ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ምትሕስሳብ ዝግበረሎም "ክድስክሉ" ወሲኑ። እንተኾነ ግን ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ትብል ነጥቢ ምስ በጽሐ ተገምጢሉ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ወጻኢ ስርሑ ንኽቅጽል ወሲኑ።

ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝተፈናጨለ ከም ሓደ ኣካል ክሰርሕ ዘይክእል ምኳኑ ዘረጋግጽ መርትዖታት ኣብ ቅድሚ'ቲ ጉባኤ ንጹር ኢዩ ነይሩ። እዚ ውሳነ'ዚ ንብዙሕ ጉባኤ ግድን መልሲ ክህበሎም ዝነበሮ ሕቶታት ሰጊሩ ኢዩ። ቀንዲ ካብኡ ከኣ፡ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

- ክልቲኦም ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ብሓባር ምስራሕ እንተ ነጸጉ እንታይ ይግበር?
- ሓደ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ ንውሳኔታት ጉባኤ ነጺጉ፡ እቲ ካልእ ወገን እንተ ተቐበሎ ከ ጠቕላሊ መሪሕነት እንታይ ስጉምቲ ክወስድ ኢዩ?
- ኣባላት ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ፡ ካብ ስርሖም ደው ኢሎም ከለው ከ ከመይ ገይሩ ላዕለዋይ ባይቶ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ዕማሙ ከካይድ?

እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዙሕ ዝተዘርበሉ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ሽግር ግን ንጹር ፍታሕ ክቕርበሉ ኣይከኣለን። ኣብ ዝርዝር ወይ መብርሂ ከየቕረበ ክቕጽል ኣለዎ ዝብል ርእይቶ ብምቕባል፡ ነቲ ክጽናዕ ዝነበሮ ክውንነት ላዕለዋይ ባይቶ ሰገሮ።

ጉባኤ ንጠቕላሊ መሪሕነት በዚ ዘይንጹር ውሳነ ከም ዝቖየድ ኢዩ ገይሩ። ብመሰረት ኣብ መረገጺታት ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ዝርኣ ምዕባለታት ስጉምቲ ንኽወስድ እውን ሓላፍነት ኣይሃቦን። ብሓባር ኣብ ስራሕ ናይ ምቕጻል ጉዳይ ከኣ ኣብ ኢድ ጉብኤ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኢድ'ቶም ተቐራቐስቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኢዩ ነይሩ። ጉባኤ ምስዚ ሓቀኛ ኩነታቱ ንኩሉ ብሩህ ዝነበረ ኣካል'ዚ ብከምዚ ዓይነት ውሳነ ክሓልፎ ብሓቂ ንምርድኡ ዘጸግም ኢዩ።

ብዝኾነ፡ ጉባኤ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ዝዓበየ ሽግር ዝነበረ ላዕለዋይ ባይቶ ንምዝራብ ነብሱ ከድክም ሰለዘይደለየ፡ ነቲ ዝተጻወደ ፋንጂ ናብ ጠቕላሊ መሪሕነት እንተደልዩ ክትኩሶ እንተዘይደልዩ ከኣ ክሳብ ባዕሉ ዝቱኩስ ክጽበ ኢዩ ኣመሓላሊፉዎ።

* * *

[121] ዓብደልቃድር ሓምዳን ሓደ ካብ ወከልቲ ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ጉባኤ ኢዩ ነይሩ። ኣባል ጠቕላሊ መሪሕነት ኮይኑ ከኣ ተመሪጹ።

ኩሎም ወገናት ናብ ጉባኤ ኣዶብሓ ክኣትው ከለው በቲ ዝነበረ ፖለቲካውን ስነ ኣእምራውን ጸቕጢታት እቲ ጉባኤ ሓድነታዊ ጉባኤ ክኸውን ናይ ግድን ነይሩ። ዝኾነ ይኹን ወገን ስግኣታቱ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ ካብዚ ውሁብ ኵነት (De-facto) ዝኾነ ምርጫ'ዚ ክዝልቅ ዝኽእል ኣይነበረን። እንተኾነ ግን እቲ ዘሕዝን ነፍሲ ወከፍ ወገን ነቲ ምርጫ ተቐቢሉ ናብ ጉባኤ እኳ እንተኸደ፡ ጉዳይ ስልጣን ንረብሓኡ ንምድምዳም በቲ ናይ ቅድም ፍልልያት ተመሊኡ ኢዩ መጺኡ። ነፍስ ወከፍ ወገን ከኣ ዓቕሙን ጽልዋኡን ብዘፍቕደሉ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ነይሩ።

ብዛዕባ ኣመራርጻ ኣባላት መሪሕነትን፡ ጉባኤ ዝወሰዶ ኣገባብ ውክልናን ድማ ክልተ ትዕዝብቲታት ክጥቐስ ይካኣል፣

**ቀዳማይ፡** ብወገን ስሉሳዊ ሓድነትን ቐዳመይቲ ክፍሊን ኣባላቶም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክመርጹ ከለው፡ ካልኣይቲ ክፍሊ ግን ነቶም ዓሰርተ ወከልቱ መሪሕነት ክፍሊ ክሓርዩም ኢዩ ተመዚዙ። እዚ ከኣ ኣብቲ ንምርጫ ኢሎም ዝገበርዎ ኣኼባ ኢዮም መዚዞምዎ። በዚ መሰረት ከኣ መሪሕነት ካልኣይቲ ክፍሊ በቲ ዝተዋህቦ መዝነት ነቶም ዓሰርተ ሓርዮዎም። ኣብዚ ቦታ'ዚ መሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ንኣባላቱ ኣብ መሪሕነት ባዕሉ'ዩ ሓርዩዎም ዝብል ኣዘራርባ ድማ ጌጋ ምዃኑ ምዝክኻር ጠቓሚ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ፡ ኣባላት ጉባኤ ቐዳመይቲ ክፍሊ ነቶም ዓሰርተ ወከልቶም ኣብ መሪሕነት ብምስጢራዊ ኣገባብ ከም ዝመረጽዎም ይገልጽ። ሓቅነት ናይዚ ንምርግጋጽ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ኣባላት ዝዝከርዎ ሓደ ሓቂ ይጠቅስ። ንሱ ከኣ ናይ ዓስራይ ኣባል ድምጺ ኣብ መንጎ ሙሳ ሙሓመድ ሃሽምን ሙሓመድ ኣደም ጃባዳይን ማዕረ ምስ መጸ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም እንደገና ምርጫ ንኽካየድ ናይ ምርጫ ኮሚተ ምስ ወሰነት ማሕሙድ ዲናይ ንሙሳ ሙሓመድ ሃሽም በቲ ቅድም ኣብ ምንቅስቓስ "ክሰር" ዝነበሮ መርገጺ ኣርሒቑዎ ተባሂለ ክኽሰስ ሰለዘይደሊ ንሱ ናብ መሪሕነት ክመጽእ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ሰለዘቕረበ ኣኼበኛታት ንሓሳቡ ሰለዝደገፉ ሙሳ ከም ዝተዓወተ ይገልጽ።[122]

---

[122] ኣብ ተሰነይ ደራሲ ምስኡ ብ20/9/2003 ኣብ ዝገበሮ ርክብ።

ካልኣይ፡ እቲ ዝተወሰደ ናይ ውክልና ኣገባብ ነቲ ኣብ ጉባኤ ዝነበረ ክውንንታዊ ኣቓውማታት ኣብ ግምት ዘእተወ ሚዛናዊ ውክልና ንምርግጋጽ ዝሓሸ ምንባሩ ከኣ ኩሉ ምልክታት መስርሕ ናይቲ ጉባኤን ቁርቁሳቱን ይሕብር። ኣብ ከምዚ ክውንነት እቲ መሪሕነት ካብ ውሽጢ ጉባኤ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ እንተ ዝምረጽ ነይሩ፡ በቲ እተን ክልተ ክፍልታትን ሓደስቲ መሓዙተን ካብ ስሉሳዊ ሓድነትን ዝነበሮም መኻኢካዊ ዓብላልነት ናይ ግድን ጎደሎ ውክልና ዘለዎ መሪሕነት ምኾነ ነይሩ።[123]

## 6. ሓፈሻዊ ገምጋም ንውጽኢት ጉባኤ

ጉባኤ ኣዱብሓ ብዛዕባኡ ኩሉ ክበሃል ዝካኣል ጉባኤ ኢዩ። ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ኢዩ እንተ ተባህለ ጌጋ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንሰራዊት ዘስምር፡ ኣብ ሜዳ ሓደ መሪሕነት ዘቐውም፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ውሳነታት ሰለዘሕለፈ። ከምኡውን ኣብ ውሽጡ ፖለቲካዊ ምጉጅጃልን ዋጋ ዕዳጋን ዝተኻየደሉ ጉባኤ ብምዃኑ ናይ ስልጣን ውድድርን ናይ ሕሉፍ ሕሳባት ምድቓቓስን ጉባኤ'ዩ እንተ ተባህለ እውን  ጌጋ ኣይኮነን። ንሓደገኛ ጉዳይ፡ ጉዳይ ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ምምካት ርኡይ ድኽመት ዘርኣየ ጉባኤ'ዩ እንተ ተባህለ እውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብዘይካ ናይ ሽግር ምንጪ ካልእ ክኸውን ከምዘይክእል ኩሉ ምልክታት ኣንጻረጋገጸሉ እንከሎ ዕማሙ ንኽቅጽል ምግዳፉ ኢዩ።

ንጉባኤ እንተ ድኣ ካብቲ ብተደጋጋሚ ኣቐድሚና ዝጠቐስናዮ ድሕሪ ባይታኡ ፈሊና ገምጊምናዮ ኩሉ'ዚ ሓቂ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

---

[123] ጠቕላሊ መሪሕነት ብመሰረት እቲ ውክልና (Proportional Representation) ብከመዚ ዝስዕብ ቆይሙ።

**ስሉሳዊ ሓድነት**

1. ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ
2. ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም
3. ኣሕመድ ኢብራሂም መሓመድ
4. ስዒድ ሳልሕ
5. ሙሓመድ ብርሃን ብላታ
6. ዑስማን ዑመር ሻዕባን
7. ሮመዳን ሙሓመድ ኑር
8. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
9. ኢብራሂም ማሕሙድ
10. ሙሓመድ ስዒድ ሽነቲ
11. ሳልሕ ዓመር ኬክያ
12. ኣበራ መኮነን
13. ዓብደልቃድር ሓምዳን
14. ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ
15. ኣብራሂም ያሲን ጅመል
16. ዓመር ጣህር ሽሃቢ
17. ዓብደላ ማሕሙድ
18. ዓፋ ሙሓመድ ሓምድ

**ካልኣይቲ ክፍሊ**

1. ሳልሕ ስይድ ሓዮቲ
2. ማሕሙድ ኢብራሂም (ቺክሲ)
3. ሓምድ ኣሕመድ ዑስማን
4. ጃዕፈር ጃብር ዑመር
5. ሳልሕ ኢብራሂም (ጂምጃም)
6. ሳልሕ ሙሓመድ ፍካክ
7. ተስፋይ ተኽለ
8. ሳልሕ ፈረጅ ዓሊ
9. ዓብደልረቺብ ሙሓመድ ሙሳ
10. ያሲን ኣልሓጅ

**ቐዳመይቲ ክፍሊ**

1. ዓብደልቓድር ሮመዳን
2. ሙሳ መሓመድ ሃሽም
3. ኣሕመድ ኣድም ዑመር
4. መሓመድ ዑስማን እዛዝ
5. ኣደም ሳልሕ ሸደሊ
6. ሓምድ ማሕመድ ሓምድ
7. መ/ኣሕመድ እድሪስ
8. ኣሕመድ መ/ሃይቲን
9. ኢብራሂም ዓብደላ ሙሓሙድ
10. ዑስማን ሓሰን ዓጂብ

እቲ ሓቀኛ ንባብ ንጉባኤን ውጽኢቱን ግን፡ ነቲ ጉባኤ ዝተኻየደሉ ፖለቲካዊ ኣከባቢ፡ ማለት ንኹሉ'ቲ ሒዙዎ ዝነበረ ናይ ሕሉፍ ውርሻታትን ባህጊታት ወገናቱን ኣብ ግምት ዘእቱ ምስ ዝኸውን ኢዩ። ነቲ ኣከባቢ'ቲ ንምስጋር ከኣ ብወገን ጉባኤኛታት ቅኑዕ መረዳእታን ንረብሓ ሰውራ ልዕሊ ጸቢብ ረብሓታት ብምስራዕ ነቲ ሽግራት ንምስጋር ሓቀኛ ምትሕግጋዝን ዝሓትት ኢዩ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን ግን ከምኡ ኣይተገበረን።

ነቲ ኣብ ጉባኤ ዘጋጠመ ክውን ንምግባር ሰለስተ መሰረታውያን ረቛሒታት ተሓጋጊዞም ኢዮም። ቀዳማይ፡ ጉባኤ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ናይቲ ኣብ ዕጹው መገዲ ዝበጽሐ ዝመስል ዝነበረ ናይ ሓድነት ጠለብ ምክያዱ ንጉባኤ ዘዐውት ኣድላዪ ምድላዋት ንኸይካየድ ዓንቂፉ። ካልኣይ፡ በቲ ኣብ ውሽጢ ዓመት፡ ስሉሳዊ ሓድነት ካብ ዝተቀልቀለሉ ጀሚሩ፡ ዝተባርዐ ፍልልያትን ሓድሕዳዊ ምክሳስን ምጽልላምን ብብርቱዕ ምጽላው። ሳልሳይ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ዝተኸሰተ ምፍልላያትን ሓድሽ ኪዳናትን ዝተጸወቶ ተራን።

ብሰንኪ'ዞም ረቛሒታት እዚኣቶም ከኣ፡ ወገን ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ቀንዲ ባእታታት ኣብ መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት ኣብ ምስርሑ ዓቢ ተራ ዝተጻወትሉ፡ ሰፊሕ ኪዳን ከም ዝገጠሞን ተነጽሎ ከምዝተሰምዖን ተዓዚብና።

ወገን ራብዓይቲ ክፍሊ ከሲሩ ኢዩ፡ ተነጽሎ'ውን ተስሚዕዎ ኢዩ። ነዚ ከኣ መራሒ ናይታ ክፍሊ ነቲ ማሕሙድ ዲናይ፡ መራሕቲ ክፍልታት ናብ መሪሕነት ከይሕጸዩ ንዘቅረቦ ሓሳብ **"ሓላፍነት መጀመርታኡ ጠቕዒት መወዳእታኡ ከኣ ጠቐነ ኢዩ፡ ኣነ ኸኣ ንምእንቲ ጣቕዒት ኢለ ኣይወርድን ኢዩ።"**[124] ብምባል ነጺጉዎ ኢዩ። (እንተ'ቲ ጠቒዒት ዘበሎ ነቲ ማሕሙድ ዲናይ ሓሳቡ ምስ ኣቕረበ ካብ ጉባኤኛታት ዝረኸቦ ነዊሕ ጠቕዒት ንምጥቃስ ኢዩ።) ድሕሪ ምቛም ጠቅላሊ መሪሕነት እውን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ገሊጹዎ ነይሩ። ዑመሮ ሓደ ምሸት ንዑመር ዳመር **"እዚ መሪሕነት'ዚ እሙን ኣይኮነን፡ ውዲታዊ መሪሕነት ኢዩ፡ ንሰውራ ናብ ምብትታን ዘእቱ ኣጀንዳ ኣለዎ።"** ክብል ገሊጽሉ ነይሩ። ነዚ ዘረባ'ዚ ዓብደላ እድሪስ ሰለዝሰምዮ ከኣ ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ስም በሃሊኡ ከይጠቐስ ንጉባኤኛታት ምስ ሓበሮም፡ ገለ ጉባኤኛታት በሃሊኡ ክፍለጥ ኣለዎ ክብሉ ሓቲቶም። ቀጺሉ ዑመሮ ዳው ኢሉ **"ኣነ እየ ከምኡ ኢለ፡"** ክብል ተዛረበ። ብድሕሪ'ዚ ጉባኤ ምስኡ መርመራ እተካይድ ኮሚተ ኣቆመ። እታ ኮሚተ ከኣ ምስኡ ድሕሪ ምርኻባ **"እዚ ውልቃዊ ርእይቶኡ ኢዩ፡ ጌጋ ድዩ ወይስ ሓቂ ድማ ዝመጽእ መዓልታት ከረጋግጾ ኢዩ።"**[125] ዝብል ጸብጻብ ናብ ጉባኤ ኣቕረበት።

ኣብ ውልቃዊ ግምታት ከይኣቶና፡ ነዚ ቁርቁስ'ዚ ከም ቁርቁስ ኣብ መንጎ ገሰገስቲን ኣድሓርሓርቲ ኢልካ ክትምድቦ ኣጸጋሚ ኢዩ። ኣብ ዝሓለፈ መረገጺታት ካብ ጸግዒ ተቀራቀስቲ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ምሓዝ ናጻ ዝኾነ ወገን ኣይነበረን። ከምኡውን ብወገናዊ ኣቓውማን ተግባራትን ክፍልታት እንተ ርኢና፡ ዝኾነ ይኹን ክፍሊ ንምስጋሩ ካብቲ ካልእ ጸብለል ዝበለሉ ኣይነበረን። እዚ ብዘይካ እቲ ዝረኣናዮ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝተኻየደ ናይ ስልጣን ውድድራት ማለት ኢዩ።

እቲ ቁርቁስ ናይ ስልጣን ቁርቁስ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ግርጭታት ካብ መስመር እቲ ዝድለ ዝነበረ ፖለቲካዊ ፍታሓት ዝኣለዮ ናይ ዕድመን ድኽመት ፖለቲካዊ ብስለትን ረቛሒታት እውን ነይሩ። ከምቲ ኣብ ኩሉ ንምእንቲ ስልጣን ዝካየድ

---

[124] ኣብ ኣስመራ ብ25-5-2006 ደራሲ ኣብ ዝገበረሉ ቃለ መጠየቕ
[125] ሕሉፍ ምንጪ

*ፖለቲካዊ ውድድር ከኣ ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ኩሉ ኣብ ክውንነት ኣሎ ዝበሃል ውልቃውን ወገናውን ረብሓውን ዝምድናታት ተሰሪሕሉ።*

*ነዚ ዝተጠቕሰ ድሕሪ ባይታ ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣር፡ ጉባኤ ብወገን ውሳነታት፡ እቲ ካብኡ ትጽቢት ዝተገብረሉ ከም ምርግጋጽ ሓድነት ሰራዊትን ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ዓመትን ዝኣመሰለ መሰጋገሪ ዕማም ኣረጋጊጹ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ካብዚ ንላዕሊ ክገብር ከኣ ትጽቢት ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ብኣንጻሩ ነቲ ኣብ ምትግባር ውሳነታቱ ከዐውቶ ዝኽእል ግድነታዊ ቅድመ ኵነት ዝኾነ ፖለቲካዊ ስኒት ኣብ ምርግጋጽ ፈሺሉ ኢዩ። ሓደ ካብ ወገናቱ፡ ንሱ ከኣ ሸነኽ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ በቲ ዝተገብረ ፍታሕ ከይዓገበ ኢዩ ወጺኡ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ከኣ እዚ ጉዳይ'ዚ ንገብኤኛታት ሕቡእ ኣይነበረን።*

*ጉባኤ ኣብ ምርግጋጽ ፖለቲካዊ ስኒት ፈሺሉ ክንብል ከሎና ግን፡ ድኽመት ውክልና ኣባላት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ መሪሕነት ነይሩ ማለትና ኣይኮነን። እቲ ክፍሊ ኣብ መሪሕነት ብሸዱሽተ ወይ ብሸውዓተ ኣባላት ምውካሉ ሚዛናዊ ኢዩ ነይሩ። ብዝኾነ ይኹን እቲ ውኽልና ቀንዲ ምኽንያት ናይ ተቓውም ኣይምኾነን። መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ እንተ ዝውሰኽ እውን ነቲ ጉዳይ ክቅይሮ ይኽእል ነይሩ ዝብል ግምት የብልናን። እቲ ጉዳይ፡ ቀንዲ ወገን ካብ ስሉሳዊ ሓድነት፡ ንሱ ከኣ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብመሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱን መብዛሕትኦም ባእታታት ሓሙሽይቲ ክፍሊን ዝተጸንበርዎ ኪዳን ምስ ቀመ መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ከም ፖለቲካዊ ተጻባኢ ሰለዝተወሰደ ኢዩ። ምቕም ናይዚ ሰፊሕ ኪዳን'ዚ ድማ ሕቶ ስልጣን ጸረ ረብሓ መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ከም ዝተደምደመን ኣብ ውሽጢ ጠቕላሊ መሪሕነት ጉዳያት ንረብሓኡ ዘየረጋግጽ ኣንፈት ከምዝሓዘ ዝሕበርን ኢዩ ነይሩ። ስልጣን፡ ውሳኔታት ንምውሳድ ዘገልግል መሳርሒ ኢዩ። ሰልጣን ዝኸሰረ ድማ ጸረ ረብሓኡ ዝኾነ ውሳነታት ከምጽእ ከምዝኽእል ክግምት ናይ ግድን ኢዩ።*

*ምናልባት እቲ ከም በዓል ዓብደላ እድሪስ፡ ሳልሕ ሰይድ ሓዮቲን ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱን ዝኣመሰሉ ባእታታት ዝመረሑዎ ዝተዓወተ ወገን ብዓወቱ ታሓጒሱ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ምናልባት እውን እቲ ናይ ዓወት ሰኽራን ንሓደ ካብ ወገናውን ፖለቲካውን ኣቓውማታት ሰውራ ዝኾነ ካብ ሜዳ "ጸወታ" ከምዝርሓቐን ብዘይ ናቱ ዕጉብ ተሳትፎ ድማ ነገራት ከምዘይቐንዕን ኣረሲዑዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቶም ሰብ ኪዳን ዝረስዕዎ ሓደገኛ ጉዳይ ድማ እቲ ብመገዲ መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ኣቢሎም ዝዋግእዎ ዝነበሩ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ድሕሪ ማገረኛ ምህላው ኢዩ። ኣምላኽ ዘይጸልኦ ከኣ ኣብቲ እዋን እቲ ንዑስማን ኣይገጥምን ኢዩ። እንተኾነ ግን ፖለቲካዊ ጉብዝና ዓይኖም ዓሚቱዎም። ምስዚ ኩሉ ግን እቶም ኪዳን ዘቆሙ ወገናት ንባዕላቶም ዝተወሃሃደ ሓይሊ ኣይነበሩን። ንዓታቶም ዘራኸበ ወይ ዝጠርነፈ በዚ ይኹን በቲ ነቲ ከም ናይ ሓባር ተጻባኢ ዝረኣይዎ ወገን ንምምካት ጥራይ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ድኽመት ዝኾነ ግምት ከይሃበ ከኣ እቲ ወገን ንነብሱ ከም እስትራተጂያዊ ሓይሊ ቆጺሩ ሰሪሑ።*

*መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ እውን እንተኾነ ዝንጽልዎ ረቛሒታት ካብ ምፍጣር ናጻ ኣይኮነን። ካድራት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ስሉሳዊ ሓድነት ዝርእይዎ ዝነበሩ ጸግዒ ናይ ዑስማን ምሓዝ፡ እቲ መሪሕነት ኣብ ልዕሊ ቐዳመይቲን ካልኣይትን ክፍልታት ዝነበሮ ጥሩፍ መርግርጽን ኣቀዲሙ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ጉባኤ ዝወጸ መሪሕነት ፍርዲ ምሃቡን ኣብቲ ዝጻብኦ ሃውሃው ኣብ ምፍጣር ተራ ነይርዎ። ከምኡውን ንረብሓኡ ከተምዝግቦ እትኽእል ነቲ ፍልልያትን ናይ ምትእምማን ሽግርን ጋግ ኣብ ምጽባብ ዘካየዶ ጻዕሪ ኣይተረኣየን።*

ከምዚ ዝኣመሰለ ጉባኤ እቲ ቀንዲ ዘድልዮ ረቛሒ ስኒት ኢዩ ነይሩ። ምርግጋጽ ናይቲ ስኒት ከኣ ሓላፍነት ናይቲ ኣብ ሜዳ ጉባኤ ዝሓየለ ወገን ኢዩ ነይሩ። ተቐራቐስቲ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ የቛሙቱ ስለዝነበሩ፡ ዝኾነ ንህለወኦም ዘውሕስ ድኽመታት እንተ ዳኣ ረኺቦም ድማ ካብ ምምዝማዙ ድሕር ከም ዘይብሉ ክግመት ዝካኣል ሓቂ ኢዩ ነይሩ። እቲ ስሉሳዊ ሓድነት ካብ ዝተረጋገጸሉ እዋን ጀሚሩ ዝተኸሰተ ቁርቁሳቶምን ንምቁጽጻር ናይቲ ምዕባለታት ዘካየድዎ ጽዕርታትን ንኩሉ ብሩህ ኢዩ ነይሩ።

# 7. ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ምትሕንፋጽ ሰራዊትን ተቓውሞን

ቀዳማይ ዕማም ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ነቲ ናይ ቅድም ዝነበረ ኩነታት ኣቓውማ ስሉሳዊ ሓድነትን ክልተ ክፍልታትን ንምድምዳም፡ ከምኡውን ነቲ ኣብ ሜዳ ሰፊኑ ዝነበረ ጽልዋታቱ ንተጋደልቲ ዝሃሰየ ናይ ምፍልላይ መንፈስ ንምጥፋእ፡ ምትሕንፋጽ ሰራዊት ምርግጋጽ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕማም'ዚ ንምትግባር ዝተመዘዘት ኮሚተ[126] ከኣ ብጠቕላሊ መሪሕነት ቆመት። እታ ኮሚተ ዕማም ምትሕንፋጽ ኣሃዱታት (ሓይልታት) ኣብ ታሕሳስ 1969 ኣብ **"ኦሮታ"** ጀሚራ ኣብ ለካቲት 1970 ኣብ **"ኮኮላይ"** ዝተደምደመ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መድረኻት ዛዚማቶ። ከም ናይ መጨረሽታ መድረኽ ምትሕንፋጽ ከኣ ኣሃዱታት ፋዳይንን ሃንደሳን ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ "ሰበር" ተኻይዱ። በዚ ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ዕማም ዳግመ ስርርዕ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ዋላ ሓንቲ ኣሃዱ ከይተረፈት ዘዚምዎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ነፍስ ወከፈን 133 ተጋደልቲ ዘለዎ 23 ሓይልታት ቆይመን፡ ብዘይካ እዚኣተን ከኣ ቀንዲ ስርሓን ኣብ ከተማታት ዝኾነ ኣሃዱታት ፋዳይን ነይረን። እዘን ናይ ፈዳይን ኣሃዱታት ከኣ ብንኣሽቱ መሳርዕ ነፍሲ ወከፈን 13 ተጋደልቲ ዘለወን ዝቖማ እየን ነይረን። እተን መሳርዕ ፈዳይን ዝተመደበለን ቀንዲ ከተማታት ድማ ተሰነይ፡ ኣቑርደት፡ ከረን፡ ኣስመራን ጊንዳዕን እየን ነይረን።

መስርሕ ዳግመ ስርርዕ ሰራዊት ግን ብዘይ ጸገም ኣይኮነን ተፈጺሙ። ካብ ዝተሓተ ሓላፊ መስርዕ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ሓላፊ ሓይሊ ምምዳብ ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ሽግራት ነታ ኮሚተ ዘጋጠማ ዝነበረ ኢዩ። እቲ ቅድም ዝነበረ ናይ ምፍንጫል መንፈስ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ስርሓት እታ ኮሚተ ብምትእትታው ንገለ ዝተወሰኑ ባእታታት ካብ ወገናዊ ስምዒታት ተበጊሶም ንምምዳብ ይድርኾም ነይሩ።

እንተ'ቲ ቀንዲ ነታ ኮሚተ ዘጋጠመ ሽግር ኣብ እዋኑ ደቂ ቀይሕ ባሕሪ (ባእታታት ራብዓይቲ ክፍሊ) ዝተባህሉ ንመስርሕ ምትሕንፋጽ ንምዕንቃፍ ዝገበሩዎ ፈተነ ኢዩ ነይሩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ ኣቦ መንበር ናይታ ኮሚተ ሳልሕ ሓዩቲ **"ላዕለወይቲ ኮሚተ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ክልተ መሰረታውያን መድረኻት ዝኸፋፈለቶ ዕማማታ ንምትግባር ዘለዎ መደብ ኣወጀት። ቀዳማይ መድረኽ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ምስኡ ዝነበረ ንብረትን ገንዘብን ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ውድብ ንዝምልከቶ ኣካል ክረክብ ዝብል ነይሩ።"** ክብል ገሊጺ። ቀጺሉ ሓዩቲ፡ **"ካልኣይ መድረኽ ከኣ ንኩሉ ሰራዊት ክፍልታት ብመልክዕ ሓይልታት ኣብ ሓደ ቦታ ጠርኒፍካ ብመሰረት ዝተመደበ ውጥንን ዝተወሰነ መድረኻትን መስርሕ ምትሕንፍጽ ምጅማር ኢዩ። ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ምትሕንፋጽ፡ ሓይልታት ክእከባሉ ዝተወሰነ ቦታ ከኣ ካብ**

[126] እታ ኮሚተ፡ ብሳልሕ ሓዩቲ ኢያ ትምራሕ ዝነበረት።

ከተማ ከረን ብወገን ሰሜናዊ ምዕራብ ኣብ 'ኦሮታ' ኢዩ ነይሩ። ካብ ዝተፈለላያ ክፍልታት ኩሎም ወገናት ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜን ቦታን ክርክቡ ከለው፡ ብደቂ ቀይሕ ባሕሪ ዝወከሉ መራሕቲ ራብዓቲ ክፍሊ ቅድሚ ኩሉ ከኣ እቲ ኣብ ግዜ ወተሃደራዊ ክፍልታት ክሳብ ጉባኤ ዓንሰባ 1968 መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ዝነበረ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮን ካልኦት ሽድሽተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነትን ኣይመጹን። ላዕለወይቲ ኮሚተ ከኣ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ንምትግባር ደቂ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ዘይተረኽብሉ ምኽንያት ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኣይጸንሓን" ኢሉ።

ኣስዒቡ ሓዮቲ "ኮሚተ ካልኣይ መድረኽ ምትሕንፋጽ ሰራዊት ምስ ጀመረት እቶም ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ደቂ ቀይሕ ባሕሪ ኣብቲ ቦታ መጺኦም። ምስ መጹ ከኣ እቲ ንሳቶም ኣብ ዘየለውሉ ዝተፈጸመ ቀዳማይ መድረኽ ምትሕነፋጽ ሰራዊት፡ ወተሃደራዊ ክፍልታት ብቀቢላዊ ኣገባብ ዝተኻየደ ምትሕንፋጽ ኢዩ ብዝብል ኣሉታዊ መርግርጺ ወሲዶም፡ እንደገና ክካየድ ከኣ ሓቲቶም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ መንጎ ላዕለወይቲ ኮሚተን ደቂ ቀይሕ ባሕሪን ምስሕሓብ ኮይኑ። ነፍሲ ወከፍ ከኣ ኣብ መርገጺኡ ብትሪ ብምጽናዕ፡ እቲ ሓደ ወገን ዝተወሰደ ቀዳማይ መድረኽ ምትሕንፋጽ ቅኑዕን ሕጋውን ኢዩ ክብል ከሎ፡ እቲ ካልእ ወገን ከኣ ኣብ ቀቢላዊ መሰረት ዝተሃንጸ ሓይልታት ሰለዝወጻ ዘይሕጋዊ ምትሕንፋጽ ኢዩ በለ።" ይብል።

ቀጺሉ ሓዮቲ "ላዕለወይቲ ኮሚተ ናብቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሒዙ ኣብ ምብራቓዊ ከባቢታት ኣብ እምባ 'ገደም' ዝነበረ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ፡ ናብ መራሕቲ ሓይልታት መስርሕ ምትሕንፋጽ ንኽቅበሉ ትእዛዝ ከመሓላልፈሎምን ንመደብ ምስማር ምምሕዳር ሰራዊት ንኽሕግዝን እትሓቶ ወግዓዊ መልእኽቲ ሰዲዳትሉ። እንተኾነ ግን ዑመሮ ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ መልሲ ሰለዘይሃበ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ዝነበረ ፍልልያት ኣዕረጉዎ።"[127] ክብል ገሊጹ።

እዚ ናይ ሓደ ወገን ርእይቶ ኢዩ። እቲ ካልእ ወገን ካብኡ ዝተፍልየ ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል ኢዩ። ምናልባት እውን ዝውሰኾ ወይ ዝጉድሎ ክህልዎ ይኽእል። ከምኡውን ሳልሕ ሓዮቲ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ባእታታት ካልኣይቲ ክፍሊን ናይቲ ኣብ ጉባኤ ኣብ መንጎ'ተን ክልተ ክፍልታትን ሳልሰይቲ ክፍልን ዝቆመ ኪደን ብምንባሩን ኣበሃህልኡ ንዕቃብታት ዝዕድም ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ግን ንዓና ዘገድሰና ምስ ኩሉ ኣገዳስነቱ ዝርዝር ናይቲ ዝተኻየደ ምፍላጥን ኣየናይ ኢዩ ከ እቲ ሓቀኛ ምርግጋጽን ዘይኮነስ ኣብ መስርሕ ደግመ ስርርዕ ሰራዊት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ሽግር ከምዘጋጠመ ምግላጽ ኢዩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነትን ኣባል ክፍሊ ሰክረታርያን ተስፋይ ተኽለ ይዝክሮ ኢዩ። ኣብ መንጎ'ታ ኮሚተን እቶም ዝተጠቕሱ ኣባላት መሪሕነትን ብዛዕባ መስርሕ ምትሕንፋጽ ፍልልያት ከምዘጋጠመን ሳልሕ ሓዮቲ ንመርገጺ ናይቶም ኣባላት መሪሕነት ኣብ መስርሕ ምትሕንፋጽ ንመደባት ምስማር ሰራዊት ሓርነት ንምዕንቃፍ ዝዓለመ ፈተነ ኢዩ ከምዝበለ ይገልጽ።[128]

ብወገን መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ናይ ተቓውሞ መንፈስ ከምዝነበረ ተዓዚብና። ከምኡውን ንመሪሕነት ዘይእሙንን ውዲታውን ክብል ብምኽሳሱ መርገጺኡ ብብሩህ ገሊጹ ኢዩ።

---

[127] ሕሉፍ ምንጪ ገጽ 134 ተወከሰ (ሳልሕ ሓዩቲ ኣብቲ ምስ ደራሲ ናይቲ መጽሓፍ ብ15-5-1998 ዝገበሮ ቃለ መጠየቕ ዝሃቦ ሓበሬታ ኢዩ።)
- እተን'ቶም ሽዱሽተ (ደቂ ቀይሕ ባሕሪ ዝተባህሉ) ዓብደልቃድር ሓምዳን፡ ኢብራሂም ያሲን ጂመል ዓምር ጣህር ሸሃቢ፡ መሓመድ ስዒድ ሽነቲ፡ ሳልሕ ዓምር ኪክያን ዑስማን ዑመር ሽዓባንን ኢዮም።
[128] ድራሲ ብ14-5-2006 ኣብ ከረን ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ

እዚ ናይ ተቓውሞ መንፈስ'ዚ ምስ ምዝዛም ጉባኤ ኣየብቅዐን። እኳ ድኣ ንጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ምቁዋም ብዝያዳ ዓሚቑን ማዕቢሉን ኢዩ።

ዓብደልቓድር ሓምዳን ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ "**ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሚዛን**" ዝብል መጽሓፉ፣ ድሕሪ ጉባኤ ናብ ከባቢታት ቀይሕ ባሕሪ ምስ ተመልሱ "**ንተጋደልቲ ኣብ ክመጽእ ዝኽእል ምግጣም ምስ ጠቕላሊ መሪሕነት ንከነዳልዋምን፣ ጉባኤ ኣዶብሓ ከም ዝፈሸለ ንኽንዕግቦምን ዑመሮ ሓቲትና።**" ክብል ይገልጽ። ቀጺሉ ትዕዝብቱ ብምሃብ ሓምዳን፣ "**ዑመሮ ብዛዕባ ተፈጺሙ ዝብሎ ጌጋታት መርትዖታት ከይሓዘ፣ ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነት ኵናት ክእውጅ ምድላዩ እንታይ'ዩ እቲ ጠንቂ ኣይፈልጠን እየ። ከምኡውን ትማሊ ኣባልነት ኣብ ጠቕላሊ መሪሕነት ተቀቢልና ከነብቅዕ ሎሚ ፈሺሉ ኢዩ ክንብል ኣጸጋሚ ኢዩ ነይሩ።**" ክብል ሓቢሩ። ኣስዒቡ ድማ ዑመሮ ዝወሰዶ ስጉምቲ ክብርህ ከሎ "**እቲ ዘሕዝን ብዛዕባ ትዕዝብቲታቱን ግምታቱን ንጠቕላሊ መሪሕነት ንምጽባእ ኣቐዲሙ ካብ ዝተጀአ ድሌት ዝነቐለ ኩሉ ከኣ ካብ ስግኣታትን ግምታትን ዝመንጨወ ነዊሕ ጸብጻብ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ (ሳበ) ጺሒፉ፣ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ክታሞም ንኽንብርሉ ከኣ ሐተተ። ገለ ኣሕዋት ብስምዒት ተበጊሶም ኣብቲ ጸብጻብ ናይ ዑመሮ ፈሪሞም ኢዮም።**" ክብል ገሊጹ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ እቶም ሽዱሽተ ኣባላት ካብ ቀይሕ ባሕሪ ክምለሱ ከለዎ ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነት ብናይ ተቓውሞ መንፈስ ተመሊኦም ዶ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና?

እዚ ሓደ ካብቲ ጉባኤ ኣብ ልዕሊ ሓደ ካብ ወገናቱ ዘትረፎ ቃንዛን ናይ ክሳራ ስምዒትን ኮይኑ፣ እንተ ወሓደ ንመሪሕነት ንምፍሻል ገለ ነገር ንምግባር ናብ ዝብል ስምዒታት ዝማዕበለ ኢዩ።

## 8. ጠቕላሊ መሪሕነትን ላዕለዋይ ባይቶን

ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብተን ቐዳሞት ኣዋርሕ ተመኩሮኡ ካብ ዘጋጠሞ ዝዓበየ ሽግር እቲ ኣባላቱ ኣብ ቅድሚኡ ቁርቁሳቶም ዝባርዑ ላዕለዋይ ባይቶ ኢዩ ነይሩ። ጠቕላሊ መሪሕነት ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ሓይሊ ጸላእትን ፈተውትን፣ ዋላ'ቲ ዝካየደሉ ሜዳ ኣብ ዘይፈልጦ ኵናትን ተሳሒቡ። ምስ ተገደደ ከኣ ኣብቲ ንዕኡ ከም መሪሕነት ብዙሕ ዘሸገሮን ንሰውራ ነዊሕ ዘሳቐየ ኵናት ንምእታው ኣይተወላወለን።

ጠቕላሊ መሪሕነት ዝምድናታቱ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ብመንፈስ ውሳነታት ናይቲ ንላዕለዋይ ባይቶ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ስርሑ ንኽቕጽል ዝገደፎ ጉባኤ ኣዶብሓ ብምቕያድ ኢዩ ጀሚሩዎ። ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብታ ጉባኤ ዝተደምደመላ ዕለት (25-8-1969) ውጽኢት ጉባኤ ዝሕበርን ስርሑ ንምስልስል ፋይናንሳዊ ሓገዛት ዝጠልብን መልእኽቲ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ልኢኹ። ትሕዝቶ ናይቲ መልእኽቲ ከኣ፣ "**ሰራዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ብ10-8-1969 ኣብ ኣዶብሓ ዝተቓንዐ ወተሃደራዊ ጉባኤኡ፣ ኩነታት ሰውራን ኣንፈታቱን ድሕሪ ምጽናዕ፣ ኣብቲ ትሕቲ ሓደ 'ጠቕላሊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ' ዝተሰምየ መሪሕነት መሳርዑ ከስምር ወሲኑ ከምዘሎ ክንሕብረኩም ንፈቱ።**" ይብል።

ብድሕሪ'ዚ እቲ መልእኽቲ ኩነታት ኣብ ምብራህን ጠለባት ኣብ ምንጻርን ብምስጋር፣ "**ቀዳማይ ግብራዊ ስጉምቲታት ንምርግጋጽ ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኑ ዘሎ ፋይናንሳዊ ጸገማት ምኳኑ ንዓኹም ስውር ጉዳይ ኣይከነን። ሰለዚ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ብዝኾነ ፋይናንሳዊ ትሕዝቶ ንምርዳእና ተበግሶ ክትወስዱ ንሓትት።**" ይብል።

ትሕዝቶ ናይቲ መልእኽቲ፡ ብፍላይ ከኣ ጠለብ ህጹጽ ሓገዝ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ንላዕለዋይ ባይቶ ክሳብ ክንደይ ብጽቡቅ ድሌት ከም ዝተበገሰን ከም ሓደ ኣካል ይጥምቶ ከምዝነበረን ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ፍልልያት ክሳብ ክንደይ ኣቅሊሉ ከምዝጠመቶን ኢዩ ዘብርሃልና። ካብቲ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ዝተረኽበት ዓወት ዝሓደሮም ፍስሃ ተበጊሶም፡ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ንውሽጣዊ ፍልልያቶም ብምስጋር ብሓላፍነት ንምውሳእ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክኾኖም ኢዩ ዝብል ሓሳብ ከም ዝነበሮም ክንግምት ንኽእል። እንተ ድኣ ብሓቂ ከምኡ ግምት ነይሩዎም ኮይኑ ከኣ ጉጉይ ግምት ኢዩ ነይሩ። ጉዳይ ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾነ ይኹን ኣወንታዊ ምዕባለታት ክዕርዮ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ከምዝበጽሐ እተን ዝስዓባ ውሑዳት ኣዋርሕ ኣረጋጊጽንኦ እየን። እንተይ'ዩ እቲ ዘጋጠመ? እቲ ዝተፈጸመ ከ ብከመይ'ዩ ተፈጺሙ?

**ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ መልእኽቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ምስ ኣዋጅ ጉባኤ ምስ ተረከበን ነቲ ጉዳይ ምሉእ ብምሉእ ምስ ሓሰበሉን ዑስማን ንምምኽኻር ምስ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ካርቱም ርክብ ክግበር ሓቲቱ። ጠቅላሊ መሪሕነት ከኣ ነቲ ጻውዒት ብቅጽበት ተቐቢሉዎ። እቲ ዕድም ክመጽእ ከሎ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ተራኺቦም ንኣቦ መንበር መሪሕነት፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ክፍሊ ዓብደላ እድሪስን ናብ ካርቱም ንኽከዱን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ካርቱም ዝነበረ ጻሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም ምስኦም ክጽንበርን ከም ዝወሰኑ ከኣ ተስፉይ ተኽለ ይግልጽ።**[129] እዚ ከኣ ኣብ ጥቅምቲ 1969 ኢዩ ነይሩ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝተኻየደ ኣመልኪቱ ማሕሙድ ኤሎስ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝራኸብ ፍሉይ ልኡኽ፡ ንሱ ከኣ ዑስማን ሳልሕ (ዑስማን ሳልሕ ደንደን ክኽውን ይኽእል'ዩ ኢልና ንግምት) ከም ዝለኣኸ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ሓቢሩ ይብል። ኤሎስ ናብዚ ምንጪ'ዚ ተመርኲሱ ከኣ፡ "**ልኡኽ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ሰለስተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ዓብደላ እድሪስን ዑስማን ዓጅብን ኣብ ዋና ከተማ ሱዳን ካርቱም ብምርኻብ፡ ነቲ ኣብ መንጎኡን ካልኡት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ኣብ ባቕዳድ ከም እንደገና ዝተባርዐ ፍልልያት ዝገልጽን ካብ ጠቅላሊ መሪሕነት ደገፍ ንመርገጺኡ ዝሓትትን መልእኽቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣረከቦም። ከምኡውን መልእኽቲ  ዑስማን ሳልሕ ሳበ ነቲ ኣብ ዋና ከተማ ዮርዳኖስ ዓማን ንፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ወጻኢ ክገብሮ ሓሲብዎ ዘሎ ጉባኤ ጠቅላሊ መሪሕነት ክድግፎ ዝጠልብ ነይሩ።**" ይብል።

ቀጺሉ ኤሎስ፡ "**ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ንመልእኽቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝሃቦ መልሲ፡ ሜዳ ኤርትራ ዝሓልፎ ዝነበረ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኩነታት ዝገልጽን ጠቅላሊ መሪሕነት ካብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ብሓፈሽኡ ኣወንታዊ መርገጺ፡ ካብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከኣ ብፍላይ ኣወንታዊ ደጋፊ መርገጺ ኣመና የድልዩ ከምዘሎን ዝሕብር ነይሩ።**"[130] ክብል ገሊጹ።

ተስፉይ ተኽለ ብወገኑ ዓብደላ እድሪስ ካብ ካርቱም ምስ ተመልሰ ንዕኡን ሳልሕ ሓዮቲን ኣብ "ፉና" ዝተባህለ ቦታ ከም ዝረኸቦምን ብመርገጺ ኣባላት ላዕለዋይ

---

[129] ቃለ መጠየቕ - ሕሉፍ ምንጪ

[130] ኤርትራን ሽግር ሃገራዊ ሓድነትን ሕሉፍ ምንጪ (ደረሲ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ነዚ ሓበሬታ እዚ ኣብቲ ብ6-10-1998 ምስኡ ዝገበሮ ርክብ ከም ዝሃቦ ይሕብር።)
- ኣብቲ እዋን'ቲ ዑስማን ዓጂብ ወኪል ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ካርቱም ነይሩ።

ባይቶ፡ ብፍላይ ከኣ ብመርገጺ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ኣመና ሓሪቑ ከም ዝነበረን ይሕብር።

***ወገን ክልተ እድሪሳት፡*** ኣብ ቅድሜና እዚ ወገን'ዚ ብ20-11-1969 ዘውጽኦ ንፍልልያቱ ምስ ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዝርዝር ዝገልጽ ነዊሕ ኣኣዋጅ ኣሎ። እንተኾነ ግን ካብቲ ኩሉ እቲ ኣዋጅ ዝገለጾ ነዊሕ ዝርዝራት እቲ ንዓና ዘገድስና፡ ብመሰረት ውሳነታት ኣዶብሓ ነቲ ዝጸነሐ ፍልልያት ንምስጋርን ብሓባር ንምስራሕን ድሕሪ ጉባኤ እዚ ወገን እዚ ዘካየዶ ምንቅስቓሳትን ከምቲ ንሱ ዝብሎ ነዚ ንኸይረጋገጽ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝፈጠሮ ዕንቅፋታትን ኢዩ።

ድሕሪ ጉባኤ "***ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ ነቲ ዕጥቃዊ ቃልሲን ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ዝኾነ ዓቢ ዕማሙ ንምክያድ ዝሕገዘሉ ኣገባባት ብህጹጽ ንምጽናዕ***" ካብ ሱዳን ናብ ካይሮ ከይዶም ኣኸባ ከካይዱ ምስ ወሰኑ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ ኣቦ መንበር ንዕለት 7/10/1969 ንኸካየድ ብወግዓዊ ደብዳበታት ዝሓበሮ ኣኸባ ምስታፍ ከም ዝነጸገ እቲ ኣዋጅ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ቀጺሉ፡ "***ብድሕሪ'ዚ ላዕለዋይ ባይቶ ውጽኢት ወተሃደራዊ ጉባኤ ንምግላጽን ሓገዛቶም ንኽዛይዱ ንምሕታትን ናብ ኣሕዋትን ፈተውትን ሃገራት ዑደት ዘካየድ ልኡኽ ኣቑሙ።***" ይብል። ኣስዒቡ እቲ ኣዋጅ፡ "***ናብ ባቕዳድ ምስ ከድና ሓው ዑስማን ሳልሕ ሳበ ረኺብናዮ። ኣብኡ ከኣ ኣኸባታት ኣካይድና። ኣብቲ ናይ መጨረሽታ ኣኸባታት ከኣ ሓው ጣሃ ሙሓመድ ኑር ካብ ጅዳ ናብ ባቕዳድ መጺኡ። ኣብቲ ምሳና ዝገበሮ በኹሪ ኣኸባኡ ከኣ ጣሃ ንጽባሕ ዘቕርቦ ሓሳባት ከም ዘለዎ ገሊጹ። ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ከኣ ላዕለዋይ ባይቶ ፈሪሱ ሰለስተ ኣባላት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ተድላ ባይሩን ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዘለውዋ ላዕለወይቲ ፋጻሚት ሽማግለ ክትቐውም፡ እዛ ላዕለወይቲ ፈጻሚት ሽማግለ እዚኣ ድማ ዝላዓለት ስልጣን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ኮይና ፖለቲካዊ መደባት ከተዳሉን ዝሕግዝኣ ንኡሳን ሽማግለታት ክህልዋን ዝገለጽ ጽሑፍ ኣቕሪቡ።***" ክብል ሓቢሩ። ወተሃደራዊ ጉባኤ ካብ ፖለቲካዊ ግምታት (Considerations) ነቒሉ ንላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ቦታኡ ሰለዝገደፎን ሓፋሽ ውድባት ተ.ሓ.ኤ. እውን ላዕለዋይ ስልጣን ውድብ ኣብ ኢድ ሸሞንተ ሰባት ብምኳኑ እናተቓወመ እንከሎ ከም እንደገና ኣብ ኢድ ሰለስተ ሰባት ንኸኸውን ሰለዘይቅበሎ እቲ ሓሳብ ከም ዝተነጸገ እቲ ኣዋጅ ይገልጽ። ብድሕሪ'ዚ እቲ ኣዋጅ ነቲ ዝተበጽሐ ውሳነታት ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ። "***ኣብ መጨረሽታ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበር ብመሰረት እዘን ዝስዕባ ክልተ ቅድመ ኩነታት ብሓባር ክንሰርሕን ክታማትና ዘለዎ ኣዋጅ ክነውጽእን ተሰማሚዕና። እተን ክልተ ቅድመ ኩነት ከኣ፦***

***ሀ. ላዕለዋይ ባይቶ ከም ዝላዓለ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ሓደ መስርዕ ደው ክብልን ክሳብ'ቲ ስርዒታዊ ቅርጺ ሰውራ ኤርትራ ዝወጽኦ ጠቕላላ ጉባኤ ዝካየድ ድማ ኩሎም ኣባላት ላዕለዋት ባይቶ ብመሰረት'ቲ ብ3-7-1967 ዝወጸ ውሽጣዊ ሕጊታቱ ብምሉእ ተማእዚዞም ግቡኣቶም ክፍጽሙን።***

***ለ. መሪሕነት ሰራዊት ኣብ ሜዳ ንጸላኢ ኣብ ምምካት ሰውራዊ ስርሓቱ ንምንጥጣፍ ክኽእል ምእንቲ ላዕለዋይ ባይቶ ብወተሃደራውን ፋይናንሳውን ምራላውን ዓቕሚታት ንምሕጋዙ ብዕቱብ ክሰርሕ።***" ኣስዒቡ እቲ ኣዋጅ፦

"***ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ ድሕሪ ምምይያጥ ንኽሕተም ተሰማሚዕና። እንተኾነ ግን ሓው ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ'ቲ ዝተሰማማዕናሉ ኣዋጅ ዝተጻሕፎ 'ስቴንስል' ምስና ምስ ፈረመ፡ ነቲ 'ስቴንስል' ተመሊሱ ብዘይ ውርዙይ ኣገባብ ወሲዱ፡ ካብ ኩዌት እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበራ ንእሽቶ ደብዳበ ናብ ሓው እድሪስ ገላውዴዎስ ልኢኹ። ትሕዝቶኡ***

ከኣ፡ 'ነፋሪት ከርክብ ተሃዊኸ ሰለዝነበርኩ፡ ብሃንደበት ናብ ክፍሊ ኣትየ ብቅልጡፍ ብምውጽኣይ ንዓኻን ንብጾትን ኣሸጊረኩም ክኸውን ሰለዝኽእል ይቕሬታ። እዚ ጉዳይ'ዚ ዘይጽቡቅ ስምዒት ኣሕዲሩልካ ከይከውን ተስፋ እገብር። ኣብቲ ኣዋጅ ድሕሪ ምኽታመይ ንገለ ስምዒታት ክፈጥር ዝኽእል ቃላትን መግለጺታትን ንምእላይ እንገደገና ምርኣዩ ዝሓሾ ኮይኑ ሰለዝረኸብኩም፡ እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ከይቐየርኩ ንገለ ውሑድ ሕጥቦታት ብምእራም ኣመሓይሸ ክታመይ ኣምቢረሉ ኣሎኹ። ሰለዚ ካልኦት ብጾት እንተ ድኣ ተሰማሚዖምሉ ድማ በዚ ዘለዎ ንምሕታሙን ንምዝርግሑን ብወገነይ ሽግር የለን'።" ይብል። ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ ዑስማን ዝፈጸሞ ስቴንስል ናይ ምውሳድ ተግባር መሰሓቅን መዋዘዩን ሰባት ብምዃን ብዙሕ የዛርብ ነይሩ። ገለ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዕውት ናይ ፈዳይን ስርሒት ፈጺሙ ክብሉ ከለው፡ ገለ ከኣ ሰለምንታይ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ስቴንስል ኣብቲ ዝፈረምሉ ጣውላ ገዲፋዎ፡ እዚ ሸለልትነት'ዚ ኢዩ ከኣ ዑስማን ነቲ ስቴንስል ንምውሳድ ዕድል ዝሃቦ ይብሉ ነይሮም።

ብዝኾነ እቲ ኣኼባ'ቲ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ ግርጭት ንምፍታሕን ብሓባር ንምስራሕን ዝተገብረ ናይ መጨረሽታ ኣኸባ ወይ ፈተነ ኢዩ ነይሩ። እዚ ናይ ባቕዳድ ርክብ'ዚ ኣብቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝለኣኸሎም ዳብዳበ ሰፊሩ ከምዝነበረ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ከምዝገለጾ ኣቐድም ኣቢልና ሪኢናዮ ነይርና።

ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ከም እንደገና ዝተወልዐ ፍልልያት ብዝምልከት ካብ ሓደ ወገን ዝወጸ ኣዋጅ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ኣቕሪብና ኣሎና። እዚ ግን ናይ ሓደ ወገን ርእይቶ ጥራይ ምኻኑ ንፈልጥ ኢና፡ እቲ ርእይቶኡ ዘየቕረብናዮ ዘሎና ካልኣይ ወገን እውን ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎ ዝርዝራት ወይ እውን ኣብቲ ኣዋጅ ዘይተጠቕሰ ብዛዕባ ተግባራት ተጻራሪኡ ዝብሎ ዝተፈልየ ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል ኢዩ። እቲ ዝርዝራት ግን ንዓና ብዙሕ ኣየገድሰናን ኢዩ።

ንዓና ልዕሊ ኩሉ ዘገድሰና ምንቅስቓሳት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብቲ እዋን'ቲ ነቲ ሰብ ዘይፈላልየሉ ኢልና እንግምቶ መሰረታዊ ሓቂታት ምርካብ ኢዩ።

- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ ይጻረር ከምዘሎን፡ ከምኡውን ጉባኤ ብዛዕባ ላዕለዋይ ባይቶ ዘሕለፎ ወሳነታት መሰረት ጠቕላሊ መሪሕነት ነቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከም ዘይቅበሎ እናፈለጠ ንናይ ወጻኢ ስራሕ ንምብሓት ንጹር ድሌቱ ኣርእዩ ኢዩ።
- ወገን ኣቦ መንበር እውን እንተኾነ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ኣኸባ ካይሮ ምምጻእ ምስ ኣበየ **"ውጽኢት ወተሃደራዊ ጉባኤ ንምግላጽን ሓገዛቶም ንኸዛይዱ ንምሕታትን ናብ ኣሕዋትን ፈተውትን ሃገራት ዑደት ንምክያድ"** ልኡኽ ምቛሙን ንጠቕላሊ መሪሕነት ከይተወከሰ ናብ ስራሕ ምንቃሉን ውጽኢቱ ብዘይገድስ ንተጻራሪኡ ንምውድዳርን፡ ዋላ'ውን ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ነንሓድሕዱ ከም ዝፈናጨል ብግልጺ ዘረድእ ይኹን፡ ኣብ ቅድሚ ጠቕላሊ መሪሕነት ውሁብ ኩነት (De-facto) ንምፍጣርን ከም ዝወስነ ኢዩ ዘረድኣና።

ጠቕላሊ መሪሕነት ክሳብ እዚ እዋን እዚ ካብቲ ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ዝካየድ ዝነበረ ርሑቕ ኢዩ ነይሩ። ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ዝኾነ ካብቶም ክልተ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶን እውን ወግዓዊ ርክብ ኣይትኻየደን። እቲ ምርሓቕ ከኣ ክልቲኦም ወገናት ቁርቁሳቶም ንኽባርዑን ነፍሲ ወከፍ ወገን ነቲ ካልእ ወገን ኣልዩ ኣብ ቅድሚ ጠቕላሊ መሪሕነት ውሁብ ኩነት (De-facto) ንኽፈጥርን

ኣፍቂዱ ኢዩ። እዚ ኩሉ ፍጻሜታት'ዚ ከኣ ኣብ ትሕቲ ረብሓ ሰውራን ውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ ንምሕጋዝን ዝብል ጉልባብ ኢዩ ዝካየድ ነይሩ።

## 9. ጉባኤ ዓማን (15-18/11/1969)

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንዝመጽእ ሳዕቤናት ብዘየገድስ፡ ንዕቓበታ ጠቅላሊ መሪሕነት ብምጉሳይ ናይ ወጻኢ ስራሕ ስልጣን ንረብሓኡ ንምድምዳም ወሲኑ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ሓደ ካብ መደበራት ውድብ ሓርነት ፍልስጥኤም "ፋትሕ" ኣብ ዮርዳኖስ ካብ 15-18 ሕዳር 1969 ጉባኤ ሓለፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ ኣካየደ። ኣብቲ ጉባኤ እቲ ሓለፍትን ኣባላትን ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ ኣብ ካይሮ፡ ደማስቆስ፡ ዓደን፡ መቓድሾ፡ ሊብያ፡ ባቕዳድ፡ ኩዌት፡ ሞሮኮ፡ የመን፡ ጂቡቲን ጅዳን ተሳቲፎም። ኣብ ጉባኤ ክትዓት ዝተኻይደሎም ክልተ ጸብጻባት ሓደ ፖለቲካዊ እቲ ካልእ ከኣ ስርዒታዊ ቀሪቦም። ካብቲ ጉባኤ ውሳነታቱ ዝሓዘ ኣዋጅ ወጺኡ። እቲ ኣዋጅ ኣብ መእተዊኡ ንጉባኤ ዝዓደሙ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ጣሃ ሙሓመድ ኑርን ዑስማን እድሪስ ኸያርን ምዃኖም ኣነጺሩ።

ጉባኤ ዝተኸትዓሎም ቀንዲ ኣርእስትታት ኣብ ሰለስተ ነጥቢታት ከፊልና ከንርእዮም ኢና። ቀዳማይ- ጉባኤ ንምክያድ ዝደረኸ ምኽንያታትን ዝወሰዶ ፖለቲካዊ ገምጋምን፡ ካልኣይ- ትዕዝብቲታት ኣባላት ጉባኤ፡ ሳልሳይ ድማ ዘሕለፎም ውሳኔታት። ኣብ መወዳእታ ኣብ ገለ ምስ ጉዳይና ዝተኣሳሰር ነገራት እውን ርእይቶ ክህልወና ኢዩ።

- እቲ ደምዳሚ ኣዋጅ ብዛዕባ ምኽንያት ምክያድ ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ኣሰፊሩ።

***"እዚ ጉባኤ'ዚ ነቲ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዕማሙ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለ ንጥፈታት ተ.ሓ.ኤ. ንምግጣምን ንፖለቲካውን ዜናውን ቃልሲታትና ንምምዕባልን ንስርዒታዊ ኣካል ንምሕዳስን ሂወት ንምሃብን ንዘሎና ድሌት ንምርግጋጽን ኣብ መንጎ ንጥፈታት ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢን ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤን ዝበለጸ ናይ ምትሕግጋዝ መሰረት ንምንጻፍን ኢዩ ተኻይዱ። እዚ ጉባኤ'ዚ ድሕሪ'ቲ ኣብ ሓራ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ነሓሰ 1969 ዝተኻየደን ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ዝተመርጸሉን ወተሃደራዊ ጉባኤ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኢዩ ተኻየዱ።"***

ንፖለቲካዊ ተመኩሮ ሰውራን ውጽኢታቱን ብዝምልከት ኣብቲ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ከኣ እዚ ዝስዕብ ገምጋም ሰፊሩ ኣሎ።

***"ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት ንናይ ውሽጢን ወጻኢን ቃልሲታትና ዝገዘአ ብርክት ዝበለ ረቛሒታት ነይሩ ኢዩ። ብውሽጣዊ ሃገራዊ ወገን ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን እንዳውን ከፋፋሊ ስነ ሞጎት፡ ንክውንነታዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ነቶም ብያታዊ (ድሑር) ኣገባብ ነቲ ሕሙም ክውንነት ዝገልጹ ዝነበሩ መሪሕነታውያን ካድራቱን ዓብሊሉዎም ኢዩም። እዚ ከኣ ዓቕሚ ሓፋሽ ካብ ዙናት ተነጺሉን ኣብ ውሽጡ ከኣ ፍልልያት ከም ዝኸስት ገይሩ ኢዩ። ብባህርያቱ ከፋፋሊ ክውንነት ከምቲ ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ስልሳይ ዓለም ዝርአ፡ ማሕበራውን ስነ ሓሳባውን ድሕረት ዝመበቆሉ ኣብ ነገራዊ መሰረት ኢዩ ዘምርኮስ። እዚ እውን ቊጠባዊ ድሕረትዩ መሰረቱ። ከምኡውን እቲ ንህላወናን ዕላማናን ንምክልኻል ዝካየድ ቃልሲ ኣብዚ ኣቒዲሙ ዝተጠቕሰ ብልሹው ክውንነት ሰለዝተመርኮሰ፡ ብናይ ጸላእትን ውዲተኛታትን***

*ሓይሊ ይህረም ነይሩ። እዚ ኩሉ ክኸውን ዝኽኣለ ድማ ዝያዳ ዕቱብ ዝኾነ ጎስጓስን ውደባን ክካየድ ዝኽእል ህዝባዊ ሰውራዊ መሪሕነት ብዘይምንባሩ ኢዩ።"*[131]

- *ገለ ኣባላት፡ ጉባኤ በዚ ተወጢኑሉ ዘሎ መገዲ ክኸይድ ስልጣን የብሉን ካብ ዝብል እምነት ተበጊሶም ኣብ ዘለዎ ደው ከብልዎ ይደልዩ ነይሮም። ሓደ ካብ ኣባላት ጉባኤ ዝነበረ ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ፡*

*"ኣብቲ ጉባኤ ካብ ዝተሳተፉ ኣባላት ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ኣዝዩም ውሑዳት ዝኾኑ፡ ኣብ ቅርጺ ፖለቲካዊ ኣካል (ላዕለዋይ ባይቶ) ዝኾነ መተካእታ ወይ ለውጢ ምፍጻም ሓደገኛ ምዃኑ ንጉባኤኛታት ኣጠንቂቖም ነይሮም። ምኽንያቱ ውሳነታት ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዱብሓ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ንላዕለዋይ ባይቶ ኣፍሪሱ ሓድሽ ኩነት ከም ዝፈጠረ ዳርጋ ዘረድእ ትሕዝቶ ስለዘለዎ። ስለዚ ከኣ እዞም ውሑዳት ኣባላት ጉባኤ፡ ንጠቕላሊ መሪሕነት ኩነታት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ወጻኢ ን ላዕለዋይ ባይቶ ብሰንኪ ፍልልያቱ ተራኡ ክጻወት ከምዘይከኣለን፡ ከምኡ ከኣ ንጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ቅድሚ ሓላፍነቱ ገይራ ወይ ንናይ ወጻኢ ኣብያት ጽሕፈት ንጠቕላሊ መሪሕነት ንምሕጋዝ ክፍሊታትን ናይ ወጻኢ ኮሚተታትን ንኽቛውም ስልጣን ክህባን ወይ ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ባዕሉ በቲ ዝርእዮ ኣገባብ ናይ ወጻኢ ስራሕ ኣብ ምውዳብ ሓለፍነቱ ንኽስከም እትገልጸሉ ሓንቲ ኮሚተ ናብ ሜዳ ክትልኣኽ ንጉባኤኛታት ሓሳብ ኣቕሪቦም። እንተኾነ ግን መብዛሕትኦም ጉባኤኛታት ንሰውራ ብነገራውን ወተሃደራውን መዳይ ንምድሓን ዝኾነ ስጉምቲ ንምውሳድ ብወገን ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ተስማሚያምሉ ኣለው ብዝብል ስምዒት ወይ ግምት ንላዕለዋይ ባይቶ ንምፍራስን መተካእታ ኣካላት ንምቛምን ኢዮም ዝጓየዩ ነይሮም።"*[132] ይብል።

ብዛዕባ'ቲ ጠቕላሊ *መሪሕነት ተስማሚዕሉ'ዩ ዝብል ዘረባታት ኣመልኪቱ ማሕሙድ ኤሎስ፣*

*"ብኻልእ ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንጉባኤ ሕጋዊ መልክዕ ንምሃብን ኣብ ኣባላት ጉባኤ ናይ ምትእምማን መንፈስ ንምስራጽን ኣብ ዓማን ናይ ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ጉባኤ ክካይድ ዝድግፍ ወግዓዊ ደብዳበ ካብ ጠቕላሊ መሪሕነት ከም ዝተላእከሉ ንጉባኤኛታት ሓቢሩ። እታ መልእኽቲ እታ ኣቐዲምና ዝጠቐስናያ ካብ ኣቦ መንበር ጠቕላሊ መሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝተላኣከት ኮይና፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምእንቲ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ንጉባኤ ዓማን ምሕያልን ክብል ንትሕዝቶ መልእኽቲ ጠቕላሊ መሪሕነት ከም ዝተምየዋ ከኣ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ንደራሲ ገሊጸሉ።"*[133] ይብል።

*ምስቲ ኩሉ እቶም "እዝዩም ውሑዳት" ጉባኤ ንኽይቅጽልን ኣብ ፖለቲካዊ ኣካል ዝኾነ ይኹን ለውጢ ቅድሚ ምፍጻሙ ንጠቕላሊ መሪሕነት ምውካስ ዝብል ዘቕረብዎ ሓሳብን መጠንቀቕታታትን ግን፡ ጉባኤ ስርሑ ቀጺሉ። ኣድላዪ ዝብሎ ውሳነታት እውን ኣሕሊፉ። ጉባኤ ዓማን እንታይ ኢዩ ወሲኑ?*

*እንተኾነ ግን ቅድሚ ነዚ ምምላስና፡ ኣብቲ ክሳብ ሕጂ ቀሪቡ ዘሎ፡ ነጥብታት ገለ ትዕዝብትታት ኣሎና።*

- *ምክያድ ጉባኤ ዓማን ንውሳነታት ጉባኤ ኣዱብሓ ንምድጋፍ ከም ዝተፈጸመ ኢዩ ተገሊጹ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ሓቂ እንተ ድኣ ኮይኑ እቶም ነቲ ጉባኤ ዘካየዱ*

---

[131] *መጽሄት ሰውራ ታሕሳስ* 1969 (*ከምኡውን ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ፡ ኤርትራን ወሳኒ ብድሆታትን ብቛንቋ ዓረብ ገጽ* 321)

[132] *ሓምድ ሳልሕ ቱርኪ፡ ኤርትራን ወሰኒ ብድሆታትን ገጽ* 322 (*ብቛንቋ ዓረብ*)

[133] *ማሕሙድ ኤሎስ፡ ኤርትራን ሽግር ሃገራዊ ሓድነት ኣብ መሳርሕ ዕጥቃዊ ቃልስን ገጽ* 136

*ሰለምንታይ ኢዮም ምስ ጠቅላሊ መሪሕነት ብምውህሃድ ዘየካየድዎ? ሰለምንታይ ከኣ ኣብ ክንዲ ብድሕሪኡ ጉባኤ ዝካይዱ ዘይዓደምዎ?*

- *ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ጉባኤ ንምክያድ ዝስማማዕ መልእኽቲ ካብ ጠቅላሊ መሪሕነት ከም ዝመጾ ንጉባኤኛታት ገሊጹ ነይሩ። እዚ ሓቂ እንተድኣ ኮይኑ፡ ሰለምንታይ እታ መልእኽቲ ኣብቲ ጉባኤ ዘይተነበበት? ሰለምንታይ ከ ጉባኤኛታት* **"ንላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ምፍራስን መተካእታ ክፍልታት ኣብ ምቛምን ኣብ ክንዲ ዝኻየዱ"** *እታ ደብዳበ ክትንበበሎም ዘይሓተቱ?*
- *ኣብቲ ንጉባኤኛታት ዝቐረበ ገምጋም፡* **"ብውሻጣዊ ሃገራዊ መዳይ፡ ናይ ሃይማኖታውን ኣውራጃውን እንዳውን ከፋፋሊ ስነ-ሞጎት፡ ንክውንነት ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ነቶም ብያታዊ ኣገባብ ነቲ ሕሙም ክውንነት ዝገልጹ ዝነበሩ መሪሕነታውያን ካድራቱን ገዚእዎም ኢዩ።"** *ተባሂሉ። ነቲ ዑስማን ዝጠቐሶ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን እንዳውን ከፋፋሊ ሓይሊ ኣጸቢቁ ኣይርዳኣናን ይኸውን፡ እንተኾነ ግን ንሱ ካብኡ ንነብሱ ናጻ ከምዝገበረ ተረጋጊጹ ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ዘረባ ካብ ሓደ ዘይፍሉጥ ሰብ ዝወጸ እንተ ዝኸውን ነይሩ፡ ብምእማኑ ወይ ከኣ ብምዝንጋዕ ምተሓልፈ ነይሩ። እንተኾነ ግን ካብ ዑስማን ሰለዝቐረበ ነዚ ናጻ ከም ጽላጦስ'የ ዝበሎ መርትዖታት ክትሓተሉ ግድን ኢዩ። ብዝኾነ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን እንዳውን ከፋፋሊ ሰነ-ሞጎት ዝብል ሓረግ ኣብቲ ዝቀጸለ ምዕባለታት ቁርቁሳት ብዝያዳ ከም ዝዓሙቕ ክንዕዘብ ኢና።*

*እቲ ድሕሪ'ዚ ጉባኤ እዚ ዝመሰረቶ ውድብ ከኣ ነዚ ሰነ ሓሳብ እዚ ከም ቅቡል ወሲዱ ብዙሕ ተዛሪቡሉ ኢዩ።*

*ሕጂ ኣብ ውሳነታት ጉባኤ ተመሊስና ቀንዲ ካብኡ ከነቕርብ ኢና።*

**"ጉባኤ ፖለቲካዊ ኣካል ተ.ሓ.ኤ ንምምዕባልን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ንምስፋሕን ብዝምልከት ብርክት ዝበሉ ውሳነታት ኣሕሊፉ። ንፖለቲካዊ ኣካል ብምምሕያሽ ፈጻሚት ሽማግለ እትብሃል ኣካል ኣቖሙ። እዛ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ተ.ሓ.ኤ. ሓላፍነት ዘለዋ ፈጻሚት ሽማግለ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ዝተሰምየ ሓላፊ ይመርሓ። ካብ ውሽጣ ከኣ ዋና ጸሓፊ ዝመርሓ ንናይ ፋይናንሳውን ዜናውን ባህላውን ካልኦት ንኡሳን ኮሚተታትን እተመሓድር ጠቅላሊ ሰክረታርያ ትቐውም። ከምኡውን ጠቅላሊ ስክረታርያ ንናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ትመርሕን ኣብ መንጎ ናይ ወጻኢን ውሽጢን ክፍልታት ተ.ሓ.ኤ. ተወሃህድን።"**[134]

*ኣቓውማ ፋጻሚት ሽማግለ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።*

**"ጉባኤ ካብዞም ዝስዕቡ ተጋደልቲ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ መሪጹ።**

| | |
|---|---|
| 1. **እድሪስ ሙሓመድ ኣደም** | **ኣቦ መንበር ፋጻሚት ሽማግለ** |
| 2. **ተድላ ባይሩ** | **ምክትል ኣቦ መንበር** |
| 3. **ዑስማን ሳልሕ ሳበ** | **ዋና ጸሓፊ።"**[135] |

*እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ጉባኤ ንምስታፍ ተዓዲሙ'ኳ እንተነበረ ኣይመጸን። ብዛዕባኡ ኣመልኪቱ ከኣ ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፉ።*

**"እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ጉባኤ ሰለዘይተሳተፈ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ኮይኑ ከምዝተመርጸ ክሕበር ጉባኤኛታት ወሲኖም። እንተ ድኣ ዘይተቐቢሉዎ ድማ፡ ክሳብ ጉባኤ ሓላፍትን ኣባላትን ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ዝካየድ ቦታ ኣቦ መንበር ጥርሑ ክጸንሕ ወሲኖም።"**[136]

---

[134] ደምዳሚ ኣዋጅ ጉባኤ 18-11-1969

[135] ውሳነታት ጉባኤ 18-11-1969

[136] ሕሉፍ ምንጪ

ብዛዕባ ካልኦት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ከ እንታይ ተገይሩ? ጉባኤ ነቶም ካልኦት ኣባላት ባይቶ እውን ኣይረስየምን። ብዛዕባኦም ነዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፉ።

**"ጉባኤ፡ ነዚ ውሳኔታት'ዚ ንኣቶ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ ኣቶ ሙሓመድ ሳልሕ ሑመድን ኣቶ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ብጽሑፍ ክሕበሮምን ኣብ ሓላፍነታት ሃገራዊ ስራሕ ንኽሳተፉ ክጽውየምን ወሲኑ።"**[137]

ኣብዚ ክቐርብ ዝኽእል እዘን ዝስዕባ ትዕዝብቲታት ኣለዋና፡-

- ዑስማን ሳልሕ ሳበን ምስኡ ደው ዝበሉ ኣባልት ላዕለዋይ ባይቶን ንውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓን ጠቅላሊ መሪሕነትን ብምብዳህ ንላዕለዋይ ባይቶ ኣፍሪሶም ንኣባላቱ ኣብ ዕማም "ሃገራዊ ስራሕ" ንኽሳተፉ ዓዲምዎም። እቲ ዝወሰዱዎ ስጉምቲ ብወገን ዝምድንኦም ምስ ጠቅላሊ መሪሕነት ይኹን ወይ እውን ኣብ ሓድነት ሰውራን መጻኢኡን ዘስዕቦ ሓደገኛነት ኣይፈልጡን ነይሮም ኢልካ ክትዛረብ የዋህነት ዶ ኣይኮነን።
- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ላዕለዋይ ስልጣን ተ.ሓ.ኤ. ብሒቱዎ። ካብ ጉባኤ፡ ኣብ ውሳነታቱ ከም ዝተነጸረ፡ ዶብ ዘይብሉ ስልጣን መንዚዑ። ብኣንጻሩ ነቶም ንመመልከዒ ጥራይ ክኾኑ ዝተሓርዩ ኣቦ መንበርን ምክትሉን ዝኾነ ዝተወሰነሎም ዕማም ወይ ስልጣነ ኣይነበረን።
- እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ነቲ ዝተዋህቦ መዚ ከምዘይቅበሎ ዑስማን ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝሓለፈ ፍልልያቶም ከም ኣቦ መንበር ካብ ካልኦት ንላዕሊ ብዙሕ ተዋሪዱ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ከኣ ኣቦ መንበር ገይሩዎ። ብዝኾነ ግን ወገን ዑስማን ኣብቲ ጉዳይ "ተንኮል" ከም ዘይብሉ ዋላ እንተ ወሰድናዮ፡ ቦታ ኣቦ መንበር ጥርሑ ምትራፉ ንስልጣን ዑስማን መሊሱ ዘራጉድን ዝሕይልን ኢዩ።
- ነቶም ሰለስተ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ተ.ሓ.ኤ. ካብ እትምስረት ምስኦም ዝነበሮ ናይ ስራሕ ዝምድና ኣብ ግምት ከይእተወ ኣብ ተራ ቦታ ንኽምደቡ ምዕዳሞም ኮነ ኢልካ ንኽዋርዶም ዝተሓሰበ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ዑስማን በቲ ዝወሰዶ ኣመዳድባ ምናልባት ኣብ ልዕሊኦም እቲ ዝግብኦም መቕጻዕቲ ዘውረደ ኮይኑ ተሰሚዕዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ላዕለዋይ ባይቶ ብኩሉ መዓቐኒታት ፍሹል ኢዩ ነይሩ። ዑስማን ድማ ሓደ ካብ ኣባላቱ ኢዩ ነይሩ። ካብ መብዛሕትኦም መሰረታት ውድብ ዝተጸልአ መሪሕነት ኢዩ ኮይኑ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን ጉባኤ ኣዶብሓ ኣብ ልዕሊኡ ጽቡቕ ድሌት ብምርኣይ፡ ብደረጃ ሓላፍነት ኮይኑ ውሽጣዊ ሽግራቱ ንኽስዕርን ከምዚ ተጋደልቲ ኣብ ውሽጢ ንሰውራ ኣብ ማርሳ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ዝተጻወትዎ ተራ ንሱ እውን ተራኡ ንኽጻወት ዕድል ሂቡዎ።

እቲ ጌጋ ብመሰረቱ ናይቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ቁርቁሳቶም ድሕሪ ጉባኤ ዓንሰባ ብቐጥታ ከምዘባርዕዎ ኣብ ግምት ዘየእተወ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝሕለፎ ውሳነ ኢዩ። ጌጋ ናይቲ ውሳነ ከኣ ካብቲ ንጉባኤ ብግቡእ ዘይምድላውን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ናይ ስልጣን ምብሓት ቁርቁሳት ምስፋሑን ዝነቐለ ኢዩ። እዚ ማለት ግን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ኣዶብሓ ላዕለዋይ ባይቶ ክጸንሕ ኣሎዎ ኢሎም ዝተማጎቱ ፖለቲካዊ ዕላማታት ኣይነበሮምን ማለት ኣይኮነን።

---

[137] ሕሉፍ ምንጪ

እንተኾነ ግን እዚ ኩሉ ንዑስማን በቲ ዝወሰዶ ሓደገኛ ስጉምቲ ናጻ ዝገብሮ ኣይኮነን። ጉባኤ ዓማን ኣብ ተመኩሮ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሩኡይ ኣሉታዊ ነጥቢ ኢዩ ኮይኑ።

ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ዕድሚኡ ምስ ተቐበለ ንኽረኽቦን ምስኡ ክረዳድእን ዝደሊ ዝነበረን ዑስማን ኣብ ዝኾነ ርእይቶ ዘለዎ ጉዳይ ንክማያየጥን ኣውንታዊ ተራ ኽጻወትን ኣብ ቅድሚኡ ብዙሕ ምርጫታት ነይርዎ። እንተኾነ ግን ንሱ ጥራይ ብዝፈልጦ ምኽንያታት ኣንጻር ውሳነታት ኣዶብሓን ጠቅላሊ መሪሕነትን ኣብ ኵናት ክኣቱ ወሲኑ። ክትግምቶን ክትቆጽሮን ዘይትኽእል ክሳራታት ኣብ ልዕሊ ሰውራ ዘውረደ ኵናት ከኣ ኢዩ ነይሩ።

# 10. ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶን ማእሰርትታትን

ኣብ ውሽጢ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ብዛዕባ ምዕባለታት ቁርቁሳት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ኣንጻር ውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ ዝነበሮም ዓንቃፊ መርገጺታትን ኣጸቢቖም ዝፈልጡ ዝነበሩ እንተዋሓደ ሰለስተ ኣባላት ነይሮም። ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ብዛዕባ ምንቅስቓሳት ተቓወምቲ ባእታታትን ዝምድናታቶም ምስ ውጥናት ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዝፈልጡ ንሶም ኢዮም ነይሮም። እቶም ሰለስተ ከኣ፦

- ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ (ኣቦ መንበር መሪሕነት)፡ ዓብደላ እድሪስ (ሓላፊ ወተሃደራዊ ክፍሊ)፡ ኣብ ካርቱም ብዛዕባ ዕላማታት ዑስማን ፈሊጦም ነይሮም። ኣብ ናይ ስሉሳዊ ሓድነት ተመኩሮኦም፡ ብፍላይ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ናይ ተቓወምቲ ዝምባለታት ይፈልጡ ነይሮም።
- ሳልሕ ሓዮቲ (ሓላፊ ክፍሊ ጸጥታ) ብመገዲ ዓብደላ እድሪስ ናይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣካይዳ ይፈልጥ ነይሩ። ከምኡ'ውን ኣቦ መንበር ናይታ ሰራዊት ትሓናፍጽ ላዕለወይቲ ኮሚተን ሓላፊ ጸጥታ ኣብ ጠቅላሊ መሪሕነትን ስለ ዝነበረ እኩል ሓበሬታ ነይርዎ ኢዩ።

እዚ ሓቂታት'ዚ ነዞም ሰለስተ፡ ኣንጻር ላዕለዋይ ባይቶን ናይ ውሽጢ ተቓውምትን ናይ ሓባር መርገጺ ንኽወስዱ ጠርነፎምም። ምስ ግዜን ምዕባለታትን ከኣ መርገጺኦም ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣንጻር ላዕለዎይ ቦይቶን ናይ ውሽጢ ተቓውምትን ናብቲ ተሪር መርገጺ ክብሃል ዝካኣል ማዕቢሉ።

* * *

ጠቅላሊ መሪሕነት መብዛሕትኦም ኣባላቱ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ብ19-12-1969 ኣብ "ጣሕራ" ኣካይዱ። ካብቶም ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ብዛይካ ሓደ ወይ ክልተ ኣባላት ዘይተረኸበ ኣይነበረን። እቲ ኣኼባ ኣብ መንጎ ጠቅላሊ መሪሕነትን ላዕለዋይ ባይቶን ብሓደ ወገን፡ ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ከኣ በቲ ካልእ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ሕቡእ ዝነበረ ፍልልያት እውጅ ዝገበረ ክልተ ዓበይቲ ውሳነታት ኣሕሊፉ። እዚ ክልተ ውሳነታት፡ ብወጻኢ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝመርሖ፡ ብወሽጢ ከኣ እቲ ኣካል ናይ ፍልልያት ጉባኤ "ኣዶብሓ" ዝነበረ ወገን ራብዓይቲ ክፍሊ ዝመርሖ ቀጥታዊ ጠንቂ ምፍንጫል ኣብ ውሽጢ ውድብ ኣስዒቡ። እቲ ውሳነታት ከኣ፡ ነቶም ተቓወምቲ ኢዮም ተባሂሎም ዝተጠረጠሩ ሽዱሽተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ምእሳርን

ንላዕለዋይ ባይቶ ምፍራስን ነይሩ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነቲ ክልተ ውሳነታት ብዝርዝር ክንርእዮ ኢና።

- ***ምእሳር ሽዱሽተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት***፡ ብዛዕባ ጠንቂ ምእሳር ናይዞም ኣባላት እዚኣቶም ኣመልኪቱ ሳልሕ ሓዮቲ፡ ***"እዞም ባእታታት እዚኣቶም ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ከም ዝድግፉን ኣብ መስርሕ ምትሕንፋጽ ሰራዊት ዕንቅፋት ከምዝኾኑን ምሉእ ሓበሬታ ምስ ተኣከበ፡ ኣብ መንጎ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድን ሓላፊ ጠቅላሊ ጸጥታ ተ.ሓ.ኤን ብዛዕባኦም ምርድዳእ ተኻይዱ። ክእሰሩን ኣባልነቶም ኣብ ጠቅላሊ መሪሕነት ክድስክልን ድማ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ናይ ምእሳርም ዕማም ከኣ ንክፍሊ ጠቅላሊ ጸጥታ ተዋሂቡ።"***[138] ክብል ገሊጹ። እቲ ሳልሕ ሓዮቲ ስሙ ዘይጠቐሶ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት እውን ኣብቲ ስምምዕ ስልሳዮም ምንባሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

*መሪሕነት ቅድሚ'ቲ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ምትግባሩ፡ ኣብቲ ናይ ምእሳር መጋባእያ እንጻርቶም ንኽእሰሩ ዝድለዩ ዘቕረቦ ክሲታት ወይ ዘካየዶ ምይይጥ ኣይነበረን። እቲ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ቅድም ተፈጺሙ። ብድሕሪኡ እሱራት ምስ ወጹ ኣቦ መንበር ጠንቂ መእሰሪኦም ገሊጹ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ክልተ ጉዳያት ኣሎ፡ ንሱ ከኣ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።*

**ቀዳማይ**፡ *መብዛሕትኦም ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ብዛዕባ'ቲ ናይ ምእሳር ጉዳይ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ኣብ ውሽጢ'ቲ መጋባእያ ሃንደበት'ዩ ኮይኑዎም።*

**ካልኣይ**፡ *እቲ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ብዘገርም ተዋስኦ ኢዩ ተፈጺሙ። እታ ነቲ ስርሒት ክትትግብር ዝተመዘዘት ጉጅለ ጸጥታ ንኣኽባኛታት ብረቶም ከውርዱን ኢዶም ሓፍ ክብሉን ኣዚዛ። ቀዳማይ ነቲ ትእዛዝ ዝተቐበለ ኣቦ መንበር መሪሕነት ባዕሉ ኢዩ ነይሩ። ንኣባላት መሪሕነት ከኣ ነቲ ትእዛዝ ክኽብሩ ኣዛኻኺሩ። ጉጅለ ጸጥታ ነቶም ዝድለዩ ዝነበሩ ምስ ኣሰረት ከኣ መሪሕነት ኣኼባኡ ክቅጽል ሓቢሩ።*

* **ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ**፡ *ነቲ ሓሳብ ዘቕረበ ኣቦ መንበር ኢዩ ነይሩ። ነዚ ሓሳብ'ዚ ክልተ ምኽንያታት ብምቅራብ ኢዩ ኣጣጢሑዎ። ቀዳማይ ላዕለዋይ ባይቶ ንፍልልያቱ ክሰዕር ዘይምኽኣሉ፡ ካልኣይ ከኣ ላዕለዋይ ባይቶ ብተግባር ንነፍሱ ምፍራሱ'ዩ ነይሩ። ቀጺሉ ከኣ ዑስማን ንፖለቲካዊ ኣካል ንምቅያር ንኽካይዶ ሓሲብዎ ዘሎ ጉባኤ ብምግላጽ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ዘኽትሎ ሳዕቤን ሓደገኛ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።*[139]

*ውሳነ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ከኣ ከምዚ ዝሳዕብ ነይሩ፡*

***"ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ኩሉ ብፖለቲካዊ መዳይ ንሰውራ ዘገድሶ ጉዳያት ምይይጥ ተኻይድሉ፡ ብፍላይ ከኣ ጉዳይ ላዕለዋይ ባይቶ። ድሕሪ ንኩሉ ንሰውራ ዘገድስ ጉዳያት ብዕቱብ ምምይያጥ ከኣ፡ ኣኼባኛታት ንሰውራ ንምዕቃብን ንቅድሚት ንምድራኹን ነዚ ዝስዕብ ውሳነታት ኣሕሊፎም።***

1. ***ንላዕለዋይ ባይቶ ካብ ኩሉ ዕማማቱን ስልጣኑን ምንጻል (ምውራድ)።***
2. ***ንሰውራ ኤርትራ ብቅንዕና ኣብ ወጻኢ ዝውክል ሓድሽ ጉጅለ ክሳብ ዝምረጽ ከኣ፡ 'ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ሜዳ' ናይ ላዕለዋይ ባይቶ ስልጣን ኣብ ወጻኢ የካይድ።***

---

[138] *ማሕመድ ኤሎስ፡ ሕሉፍ ምንጪ ገጽ 140። እንተ'ቶም ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት፡ ዓምር ጣህር ሸሃቢ፡ ሳልሕ ዓምር ኬክያ፡ ኢብራሂም ጂመል፡ ዓብደልቃድር ሓምዳን፡ ስዒድ ሙሓመድ ሽነቲን ዑስማን ዑመር ሻዕባንን (እዚ ናይ መጨረሽታ ኣባል ኣብቲ ኣኼባ ሰለዘይነበረ ኣብ ጥሪ 1970 ኢዩ ተኣሲሩ)።*

[139] ተስፋይ ተኽለ (ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነት) ምስ ደራሲ ብ9-10-2006 ኣብ ዝገበሮ ርክብ

3. **ጉዳያት ኣብያተ ጽሕፈት ዘካየዱ ሓደስቲ ባእታታት ክሳብ ዝምረጹ ከኣ፣ ናይ ኩለን ኣብያተ ጽሕፈት ንጥፈታት ኣብ ወጻኢ ይድስክል።**
4. **ምስ ፈተውትን ኣሕዋትን ሃገራትን ሰውራውያን ምንቅስቓሳትን ተቓወምቲ ውድባትን ብምርኻብ ነዚ ውሳነ'ዚ ምሕባር።**
5. **ድሕሪ'ዚ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዘተኸሰተ ምዕባለታት ንኩለን ኣሕዋትን ፈተውትን ሃገራት ንጉዳያት ሰውራ ብኩሉ መኣዝናቱ ምግላጽ።**
6. **ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ንብረት ሰውራ ምክትታል።**
7. **ነዚ ውሳነታት'ዚን ንምውሳዱ ዝደረኸ ሓቀኛ ምኽንያታትን ብሰፊሑ ዝገልጽ ኣዋጅ ምውጻእ።**"[140]

ከምዝዝከር ኣብ ቁጽሪ (3) ናይዚ ውሳኔታት'ዚ ተጠቂሱ ዘሎ ምድስካል ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ፣ ሓደ ካብ ውሳነታት ጉባኤ ኣዱብሓ ኢዩ ነይሩ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ ድሒሩ ብ12-4-1970 ዘውጽኦ ኣዋጅ፣ ድሕሪ ናይ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ውሳነ፣ ንኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ "**ብዛዕባ ክስራሕ ዘለዎ ንምምይያጥ ናብ ሜዳ ኰናት ኣብ ኤርትራ ክመጹ ከም ዝጸወየምን ዝመጹሉ ማዓልቲ ከም ዝፈለየሎምን።**" ሓቢሩ።

ላዕለዋይ ባይቶ ብዝምልከት ኣብ ቅድሚ ጠቅላሊ መሪሕነት ሰለስተ ምርጫታት ጥራይ ኢዩ ነይሩ።

**ቀዳማይ፡** ነቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንክወስዶ ሓሲቡ ዘሎ እንተዋሓደ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ባይቶ እውጅ ምፍንጫል ከምዝህሉ ዝገብር ስጉምቲ ምድጋፍ። እዚ ምርጫ እዚ ከኣ ንውሳነታት ኣዱብሓ ምጥሓሳ ማለት ኢዩ።

**ካልኣይ፡** ነቲ ዝምዕብል ዝነበረ ምፍንጫላት ላዕለዋይ ባይቶ ምዕዛብ ኢዩ። እዚ ግን ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራን ሰሙን ፕሮግራማቱን ዘውርዶ ጉድኣት፡ ከም መሪሕነት እውን ከምዚ ዓይነት መርገጺ ክወስድ ዘምሕረሉ ኣይኮነን።

**ሳልሳይ፡** ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ብደረጃ'ቲ መድረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነት ክሰርሑ ካብ ዘይካኣሉ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ግሉጽ መርገጺ ምውሳድ ኢዩ። እቲ መሪሕነት ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ ንሱ ኢዩ ነይሩ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ላዕለዋይ ባይቶ ድሕሪ ምፍራሱ፡ "**ወከልቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ**" ኢሉ ዝሰመዩ ልኡኽ ኣቑሙ። እቲ ልኡኽ ከኣ ብሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ዓብደላ እድሪስን ተስፋይ ተኽለን ቆይሙ። ንመዝነቶም ዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፉ።

"**ኣኽባሮታት ንልኡኻት ምሉእ ስልጣን ብምሃብ፡ ንሰውራን መስርሑን ዝዕቅብን ንቅድሚት ዝድርኽን ኩሉ ኣድላዪ ዝበሃል ስጉምቲታት ንኽወስዱ መሰል ከም ዘለዎም ወሲኖም።**"[141]

* * *

ዓመት 1969 ከምቲ ዝሰመናዮ ክሳብ ናይ መጨረሽታ ርብዑ ዓመት ሓድነት ኢዩ ነይሩ። ሕጂ ግን ኣብ ኣጋ ምውድኡ፡ ዘይጽቡቕ ውጽኢት ዘተንብህ ሓደገኛ ምልክታት የርኢ ኣሎ።

---

[140] ጠቅላሊ መሪሕነት ድሕሪ እቲ ኣኽብ "ኣገዳሲ ኣዋጅ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘውጽኦ ኣዋጅ
[141] ሕሉፍ ምንጪ

ክልቲኣን ውሳነታት ጠቕላሊ መሪሕነት ካብ ባዶ ዝነቐለ ኣይኮነን። ብዛዕባ ምኽንያታትን ድርኺትን ናይቲ ክልተ ውሳነታት ዝምልከት ናይ ርእይቶ ፍልልይ'ኳ እንተሎ፡ እቲ ምኽንያታት ነይሩ ኢዩ። ነቲ ሽዑ ዝነበረ ክውንነት ዝያዳ ንምርዳእ ክሕግዝ ብዝኽእል ኣገባብ ዘርዚርናዮ ኢና ድማ ክንብል ንኽእል።

ውሳነታት ኣዶብሓ በቲ ንነዊሕ ግዜ ብምፍንጫላት ዝተሳቐየ ሓፋሽ ኤርትራ ድሙቕ ተቐባልነት ረኺቡ ኢዩ። ኩሉ ወገን ከኣ ሰውራ ከም ብሓድሽ ዝተወልደ ኮይኑ ተሰሚዑዎ። እንተኾነ ግን እዚ ሓጎስ'ዚ ምሉእ ሓጎስ ሰለዘይነበረ ነዊሕ ኣይጸንሓን። ምስ ምውዳእ እቲ ዓመት'ቲ ኣብ ኩሉ ሻቕሎት፡ ስክፍታታትን ተስፋ ምቍራጽን ክልሕም ጀሚሩ። እቲ ዓመት ክውዳእ ኮሎ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ከም ኣሻቀልቲ ሕቶታት ክልዓል ጀመረ። እንታይ ተፈጺሙ? ነገራት ናበይ ገጾም ኢዮም ኣንፈቶም? ሳዕቤናቱ ከ እንታይ'ዩ ክኸውን ኢዩ?

እዝን ካልእን ነቲ ክቕልቐል ዝጀመረ ሽግራት ዝምልከት ሕቶታት፡ ኣብቲ ካብ መጀመርትኡ ዓመተ ምፍንጫላት ዝነበረ 1970 ዝምልከት፡ ዝስዕብ ምዕራፍ ክንምልሶ ክንፍትን ኢና።

# ምዕራፍ 10

# 1970 ዓመተ ምፍንጫላት

ዓመተ 1970 ኣብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ፍሉይ ዓመት ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ዓመት ኩሉ ውሽጣዊ ፍልልያት ንጹር ኮይኑ። ኣብ ዝተቐራረበ ግዝያት ከኣ ብሃንደበት ሰለስተ ውድባት ኣብ ጎኒ ተ.ሓ.ኤ. ዝንቀሳቐስ፡ ነፍሲ ወከፈን ብሓድሽ ስምን ዝተፈለየ ጭርሖን እትሰርሕ ተቐልቀላ። ኩለን ከኣ ብመገዲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዕላማ ሓርነት ንምርግጋጽ ከም ዝሰርሓ ኢየን ዝገለጻ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ እምበኣር፡ እቲ ዝነበረ ምፍንጫለትን መልሰ ተግባር ጠቅላሊ መሪሕነትን ኣረኣእያ ናይ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ኣብ ነብሱን ተራኡን ኣብ ሜዳን ኣብ ምምስራት ዝተመርኮሰሉ ሓይሊን ክንርኢ ኢና።

## 1. ጠቅላሊ መሪሕነትን ምብታኽ ምስ ክልተ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶን

***ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡*** ድሕሪ ጉባኤ ዓማንን ጠቅላሊ መሪሕነት ሽዱሽተ ካብ ኣባላቱ ንምእሳርን ላዕለዋይ ባይቶ ንምፍራስን ዘውጽኦ ውሳኔን ምስዚ ወገን'ዚ እቲ ምብታኽ ብቐጥታ ኢዩ ተፈጺሙ። ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ንወጻኢ ምስ ተንቀሳቐሰ፡ እቲ ናይቲ ክልተ ውሳነታት ሓበሬታ ዝበጸሖ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ልኡኽ ንኩሉ ኣፍደገታት ናይ ወጻኢ ንምዕጻውን ኣብተን ንሰውራ ኤርትራ ዝሕግዛ ከም ሱርያ፡ ዒራቕን ውድብ ሓርነት ፍልስጥኤምን ዝኣምሰለ ሃገራትን ውድባትን ንጠቅላሊ መሪሕነት ዝጻባእ ሃዋሁው ንምፍጣርን ኢዩ ተንቀሳቒሱ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ከይተራከበን ከይተዛተየን ኢዩ ነዚ ናይ ተጻብኦ ስጉምቲ ወሲዱ። ሰለዚ ከኣ ዑስማን ሳበ ኣብ ከምዚ ዓይነት ርክብ ምእታው ውጽኢት ከም ዘይብሉ ኣቐዲሙ ዝዓገበሉ ኢዩ ዝመስል። ብልክዕ ከኣ ዑስምን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ ብመሰረቱ ንኸይምለስ ኢሉ ዘሕለፎ ውሳኔታት ዓማን ጸኒዑ ካብ ሃለወ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት እውን ብወገኑ ብውሳኔ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ቁዩድ ካብ ኮነን ልኡኹ እውን ካብዚ ውሳኔ'ዚ ንምስሓብ ስልጣን ካብ ዘይሃለዎን ዋላ ርክብ እንተተገብረ ናብ ስምምዕ ክብጽሕ ዝኽኣል ኣይነበረን።

ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዘተ ንምክያድ ዘኽእል ባይታ ኣይነበረን። ካብዚ ዕግበት'ዚ ተበጊሱ ከኣ ዑስማን ምስ ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ዝኾነ ዓይነት ዘተ ንምእታው ምጽባይ ኣድላይነት ከም ዘይብሉ ኢዩ ርእዩ።

ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ንመጀመርታ ዝበጽሓ ሃገር፡ ሪፖብሊክ ዒራቕ ኢያ ነይራ፡ እዚ ከኣ ኣብ ወርሒ ጥሪ 1970 ነይሩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ እቲ ልኡኽ ብሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ፡ ዓብደላ እድሪስን ተስፋይ ተኽለን ዝቖመ ኢዩ ነይሩ። እቲ ልኡኽ ኣብ ዒራቕ ከሎ ከኣ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ መጺኡ፡ ምስ "ብሄራውን" "ሃገራውን" መሪሕነታት ሰልፊ ባዓስ ዒራቕ ክራኸብ ጀሚሩ። ክልቲኦም መሪሕነታት ዒራቕ ድማ ንክልቲኦም ኤርትራውያን ወገናት ንምርኻብ ተበግሶ

ወሲዶም። ክልቲኦም ወገናት ነቲ ዕድመ ሰለዝተቐበልዎ ከኣ ርክብ ተኻይዱ። ኣብቲ ርክብ ንጠቅላሊ መሪሕነት ልኡኹ ክውከሎ ከሎ፡ ብወገን ጉባኤ ዓማን ከኣ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ባዕሉን ሮመዳን ሙሓመድ ኑርን ነይሮም።[142]

ልኡኽ ዒራቕ ከኣ ብኣባል "ብሄራዊ" መሪሕነት ሽብሊ ኣልዓይስሚ ዝምራሕ ኮይኑ፡ ካብ ሃገራዊ መሪሕነት ከኣ ምክትል ካቢነ ሚኒስተራትን ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳይን ዝነበረ ማህዲ ዓማሽ ከምዝነበረ ኣባል ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝነበረ ተስፋይ ተኽለ ይገልጽ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ ድሒሩ ብ12-4-1970 ዘውጽኦ ኣዋጅ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ዒራቕ መርገጺኡ ብኸምዚ ዝስዕብ ከም ዘነጸረ ሓቢሩ። (ቀንዲ ነጥቢታት ክንጠቕስ ኢና)

**"1. ምፍራስ ላዕላዋይ ባይቶ ብርእይቶኡ መልሰ ተግባር ንውሳነታት ዓማን ኢዩ።**
**2. ጠቅላሊ መሪሕነት ንላዕለዋይ ባይቶ ንምፍራስ ዝሕለፎ ውሳነ ግብረዊ ኣይኮነን።**
**3. ውሳነ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ሰለዘይቅበሎ ከኣ ስርሑ ኣብ ምፍጻም ክቕጽል ኢዩ።**
**4. ጠቅላሊ መሪሕነት ገንዘብን ኣጽዋርን ጥራይ ኢዩ ዝደሊ እምበር ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ከኣቱ ግቡኡ ኣይኾነን።**
**5. ነቲ ብጉባኤ ዓማን ዝፈረሰ ላዕለዋይ ባይቶ ከምዘይፈልጦን ንሱ ከኣ ብውሳነታት ናይቲ ጉባኤ ሕጋውነት ከም ዘለዎን።"**

ተስፋይ ተኽለ **"ኣብቲ ርክብ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣብ ሜዳ ክካየድ ገሊጽና። እንተኾነ ግን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ጉባኤ ኣብ ሜዳ ምክያድ ብምቅዋም፡ ኣብ 'ኣስዋን' ግብጺ ክካየድ፡ ንሱ ድማ ናይ ኣየር ትኬታትን ወጻኢታት ጉባኤን ክሸፍኖ ሓሳብ ኣቕረቡ።"[143]** ይብል።

ብዛዕባ ርእይቶ ዑስማን ኣብዚ መግለጺታት'ዚ ንፈልጦ ነገር የለን። ዑስማን ኣብቲ እዋን'ቲ ነዚ ፈተነታት'ዚ ወይ ምስ ጠቅላሊ መሪሕነት ናይ ምቅርራብ ጉዳይ ኣብቲ ዝጸሓፎ ክጥቐስ ዝከኣል ተገዳስነት ኣይሃቦን። ምናልባት ከኣ ኣብ ክንዲ ምስ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ሕቶን መልሲን ዝኣቱ፡ ቀንዲ ኣተኩሮኡ ኣብ ምህናጽ'ቲ ኣብ ዓማን ዝመሰረቶ ሓድሽ ውድቡን ንዕኡ ወተሃደራዊ ክንፊ ኣብ ሜዳ ምርግጋጽን ዝቐንዐ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ብዝኾነ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዕቱብ ዘተ ኣይተኻየደን። ዑስማን ጠቅላሊ መሪሕነት ንላዕለዋይ ባይቶ ብምፍራሱ፡ ንዕኡ ብኣካልን ነቲ ኣብ ዓማን ዘካየዶ ጉባኤኡን ዕላማ ከም ዝገበረ'ዩ ወሲዱዎ። ጠቅላሊ መሪሕነት እውን ብወገኑ፡ ዑስማን ንፖለቲካዊ ኣካል (ላዕለዋይ ባይቶ) ንምምሕያሽ ኣብ መጀመርታ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ንዕኡ ንምቁጽጻር ወይ ከኣ እንተዘይተንበርኪኹሉ ኣብ ልዕሊኡ ኵናት ንምክያድ ዝዓለመ ከምዝኾነ ገይሩ ወሲዱዎ። ሰለዚ፡ እዚ ክልተ መርገጺታት ክቃዶ ኣይክኣልን ነይሩ። ምብታኽ ከኣ ሰዓበ።

***ወገን ክልተ እድሪሳት***፡ እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መግለጺ ጠቅላሊ መሪሕነት ብዛዕባ'ዚ ወገን'ዚ ኣመልኪቱ፡ ኣባላት ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ካርቱም ምስ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ብምርኻብ፡ ***"ሜዳ ንኽኣትው ንምዕጋቦም ምስኣታቶም ክልተ ነዊሕ ኣኼባታት ኣካየዱ። እንተኾነ ግን ንሳቶም ነጺጎምዎ።"*** ይብል። ኣስዒቡ

[142] ሮመዳን ሙሓመድ ኑር ኣብ ወጻኢ ከሎ ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነት ተመሪጹ። ኣብኡ ከሎ ከኣ ናብ ተቓወምቲ ተጸንቢሩ።
[143] ምስኡ ኣብ ዝተገበረ ቃለ መጠይቕ፡ ሕሉፍ ምንጪ።

እቲ መግለጺ ንሳቶም ዝሃብዎ መልሲ ብሓጺሩ ከምዚ ዝስዕብ ምንባሩ ይሕብር። (ቀንዲ ነጥብታት ከነቕርብ ኢና)

"1. **ብወገን መሪሕነት ፍጹም ከም ዝተረስዑ ገሊጾም።**

2. **ቅድሚ ናብ ሜዳ ምእታዎም፡ ምይይጥ ዝካየደሉ ጉዳያት ክግለጸሎምን ኣብ ሰውራዊ ስራሕ መጠን ተሳታፍነቶም ክንጸረሎምን ቅድመ ኩነት ኣቕሪቦም።**

3. **ሜዳ ንኽኣትው ዝቐረበሎም ጠለብ ንምፍታኖም ዝዓለመ ምኳኑ፡ ዕላማ ምእታዎም እንታይ ምኳኑ ክንጸረሎም ጠሊቦም።**

4. **መሪሕነት፡ መደቦም እንተድኣ ዘይሓቢሩዎም ሜዳ ከምዘይኣትው ከኣ ገሊጾም።**

5. **እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ ብእድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝምራሕ ኣባልነት ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድ ዘለዎ፡ ዝተረፈ ከኣ ጠቅላሊ መሪሕነት ብዝርእዩ ቁጽሪን ሰባትን ዝመልአ ፖለቲካዊ ኣካል ከቘውም ሓሳብ ኣቕሪቡ።**

6. **ናይ ምንቅስቓስ ዓቕሞምን ክእለቶምን ካብ ዓቕሚን ክእለትን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከምዘይንእስ ከኣ ሓቢሮም።"**

እዚ ወገን'ዚ ብመሰረት'ቲ ኣንጻር ጉባኤ ዓማን ብ20-11-1969 ዘውጽኦ መግለጺን "**ውጽኢት ጉባኤ ኣዱብሓ ንምግላጽን ዝያዳ ሓገዝ ንምሕታትን ናብ ኣሕዋትን ፈተውትን ሃገራት ዑደት ዘካይድ ልኡኽ**" ምቑሙን፡ ንነፍሱ ከም ደጋፊ ጉባኤ ኣዱብሓን ጠቅላሊ መሪሕነትን ኢዩ ዝቆጽሩ ነይሩ። ካብዚ መረዳእታ'ዚ ብምብጋስ ከኣ፡ ከም ዝተረስዑን ብመጠን'ቲ ዝወሰድዎ ደጋፊ መረገጺ ከምዘይተራኣዩን ኢዮ ተሰሚዕዎም። ሰለዚ ኢዩ ከኣ፡ "**ናይ ምንቅስቓስ ዓቕሞምን ክእለቶምን ካብ ዓቕሚን ክእለትን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከምዘይንእስ**" ድሕሪ ምርግጋጽ ብመሪሕነት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ፖለቲካዊ ኣካል ክቘውም ሓሳብ ዘቕረቡ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ምስ ዝኾነ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ፡ ዋላ ኣወንታዊ መርገጺ ዘርኣየ፡ ከይሰርሕ መጠኑ ዝሓለፈ ተኣፋፍነት ነይሩዎ። ምናልባት ንሓደ ወገን ካብቲ ካልእ ኣብሊጹ ርእዩዎ ከይብሃል ሰለዝሰግኣ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ሰለዚ ከኣ መርገጺ ናይዚ ብመገዲ ዘተ ናብ ኣወንታዊ መርገጺ ከምዕብል ዝኽእል ዝነበረ ወይ'ውን እንተ ወሓደ ተጻባኢ መርገጺ ዘይነበሮ ወገን'ዚ ከም ካልኣይ ገጽ መርገጺ ዑስማን ሰለዝተወሰደ ከምቲ ምስ ወገን ዑስማን ዘጋጠመ ምስዚ ወገን'ዚ እውን ምብታኽ ኣጋጢሙ።

**ንባብ ጠቅላሊ መሪሕነት ንመርገጺታት ክልተ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ፡**

እዚ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መግለጺ ጠቅላሊ መሪሕነት፡

"**ውሳነታት ጉባኤ ድሕሪ ምግላጹ ብቐጥታ ጠቅላሊ መሪሕነት ናብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ደብዳቤታት ብምልኣኽ፡ እቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንሰውራ ኤርትራ ካብቲ ከበርዕዎ ዝኽእል ዝነበረ ሽግር ንምውጻእ ባህርያውን ኣገዳስን መዋጽኦ ሰለዝኾነ ንኽሕግዝዎን ክድግፍዎን ሓቲቱ። እንተኾነ እዚ ዓቢ ሃገራዊ ዓወት'ዚ ካብ መጀመርታ ብወገን ተጻረርቲ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ካብቲ ኣብ መንጎኦም ተወሊዑ ዝነበረ ቁርቁስ ብምብጋስ ዝተፈላለየ ትርጉም ኢዩ ተዋሂቡዎ። እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ወገን ከም ዓቢ ማህረምቲ ንውጥናቱ ክርእዩ ከሎ፡ እቲ ብእድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ እድሪስ ዑስማን ገላውዴዎስ፡ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ዝቖመ ወገን ድማ ነቲ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዘካይዶ ዝነበረ ቁርቁስ ከም ዝሕግዝ ገይሩ ወሲዱዎ። ከም እንርድኦ እዚ ማለት ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ ወገን ነቲ ስጉምቲ ከበርዕዎ ወይ ኸከስቦ ክሓስብ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ወገን ከኣ ክምዝምዞን ኣብ ልዕሊኡ ኣቦነቱ ከረጋግጽን ይሓስብ ነይሩ ማለት ኢዩ።**" ክብል ኣብሪሁ።

*እቲ መግለጺ ክልቲኦም ወገናት ሳዕለዋይ ባይቶ ዝተኸተልዎ ውድድራት ኣመልኪቱ ከኣ፡*

***"ንፍሲ ወከፍ ወገን ነቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ዕላማታቱ ንምርግጋጽ ነቲ ካልእ ወገን ካብ ሜዳ ፖለቲካዊ ስራሕ ንምልጋስ ብብርቱዕ ይሰርሕ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ ነፍሲ ወከፎም ብዙሕን በብዓይነቱን ኣገባባት ተጠቒሞ። ንኣብነት ገለ ካብኡ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ነቶም ዝወዳደርዎ ዝነበሩ ኣባላት ሳዕለዋይ ባይቶ ዝገለፈሉን ሓድሽ ፖለቲካዊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ዘቆመሉን ጉባኤ ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ዝተሰምየ ኣብ ዓማን ኣካየደ። ብሓሶት ከኣ ነቲ ኣብ ዓማን ዘካየዶ ጉባኤ ጠቕላሊ መሪሕነት ከም ዝተሰማማዓሉን ነቲ መሪሕነት ንኽትግብሮ ወጢኑዎ ዘሎ ወደባት ዝመልእን ምኻኑ ገለጸ። እቲ ካልኣይ ወገን ክልተ እድሪሳት እውን እንተኾነ ብላዕሊ ላዕሊ ንውሳነታት ጉባኤ ዓማን ዝምልስ ዝመስል ርሱን ናይ ኣዋጃት ኵናት ኣካየደ። እቲ ሓቀኛ ዕላማኡ ግን ንዑስማን ንምርሓቕ ዝያዳ ምድራኹን ብኡ ኣቢሉ ድማ ዕላማኡ ንምርግጋጽን ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ወገን ናብ ፈተውቲ ሃገራት እናተንቀሳቐሰ ከም ሕጋዊ ወኪል ሰውራ ኣብ ወጻኢ ንነብሱ ይገልጽ ነይሩ።"*** *ክብል ሓቢሩ።*

*እቲ ሽዑ ዝነበረ መርገጺታት ክልቲኡ ወገን ሳዕለዋይ ባይቶ መጠን ተቓውሞኡ ንጠቕላሊ መሪሕነት ዝተፈላለየ'ኳ እንተነበረ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ግን ንናይ እዋኑ ከይጠመተ ካብ ሕሉፍ መርገጺታቶም ብምብጋስ ምስ ክልቲኡ ወገን ዝምድናኡ በቲኹ።*

*   *   *

*ዑደት ልኡኽ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ንሰውራ ኤርትራ ንምሕጋዝ ደገፍ ናይተን ክልተ ቀንዲ ዕላማ ዑደቱ ዝገበረን መሰረታውያን ሃገራት ኣብ ምኽሰብ ቅልጡፍ ውጽኢት ኣየምጽአን። ደገፍ ክልቲኣን ሃገራት ንጠቕላሊ መሪሕነት ንምርግጋጽ ገለ ኣዋርሕ ወሲዱ ኢዩ። ብድሕሪኡ ግን ክልቲኣን ቀንዲ ደገፍትን ሓገዝተን ጠቕላሊ መሪሕነት ኮይነን ኢየን።*

- *ብጉዳይ ዒራቕ ኣመልኪቱ ተስፉይ ተኸለ፡ "**ዒራቓውያን ጽቡቕ ኣቐባብላ ገይሮምልና፡ ብቕልጡፍ ክሕግዙና እውን ወሲኖም።**" ይብል። እንተኾነ ግን እቲ ሓገዝ ንገለ ኣዋርሕ ተደናጉዩ። ጠንቂ ምድንጓይ ናይቲ ሓገዝ ከኣ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብቲ ምስ "**ብሄራውን**" "**ሃገራውን**" መሪሕነታት ዒራቕ ዝገበሮ ርክብ፡ ንጠቕላሊ መሪሕነት ምሕጋዝ ማለት ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዓራባዊ ወገን ምቕንጻል ማለት ኢዩ ምስ በሎም፡ ነቲ ሓቂ ክሳብ ዘረጋግጽዎ ከምዘደናጎይዎ ይሕብር።*

*ኣብቲ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ባቕዳድ ዝተኻየደ ርክብ፡ "**ማህዲ ዓማሽ**" ንዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ሜዳ ካብ ዘይትኣቱ ክንደይ ዓመት ኣሎካ ምስ በሎ፡ ዑስማን ትሽዓተ ዓመት ገይሩ ከምዘሎ ምስ ገለጸሉ፡ ተመሊሱ ናባና ብምጥማት ሓቁ ድዩ ክብል ሓቲቱና፡ ንሕና ከኣ ሰውራ ካብ ዝምስረት ሜዳ ኣትዩ ኣይፈልጥን ኢዩ ምስ በልናዮ፡ ንዑስማን "**ኣነ ኣብ ቦታኻ እንተ ዝኸውን ነይረ፡ ነዚ ባድላታት (ባኖታት) ቀይረ፡ ካኪ ለቢሰ ናብ ሜዳ ምኣቶኹ'ሞ ትሓሳሰቡኒ ምበልኩዎም።**" ኢልዎ። ክብል ተስፉይ ገሊጹ። ቀጺሉ ተስፉይ በዚ ናይ ማህዲ ዓማሽ መረገጺ ኩነታት ኣብ ዒራቕ ናበይ ገጹ ክምዕብል ምኻኑ ክርደኣና ኪኢሉ ይብል።*

- *ሶርያ ብዝምልከት፡ ናብ ደማስቆስ ምስ ኣተው ብትካል ሰለያ ሶርያ ናብ በይሩት ከምዝተሰጉ ተስፉይ ተኸለ ይገልጽ። በቲ ምስ ትካል ሰለያ ሶርያ*

ፍሉይ ዝምድና ዝነበሮ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዝሃቦ ሓበሬታ ከምዝተፈጸመ ከኣ ይሕብር። እንተኾነ እምባሰደር ሶርያ ኣብ ካርቱም፡ እቲ ልኡኽ ካብ በይሩት ምስ ተመልሰ ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተወሰደ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ዝምልከቶ ኣካላት መንግስቲ ይፈልጦ ከምዘይነበረን ንኽምለሱ ዕድመ ከም ዘቕረበሎምን ሶርያ ብሓጎስ ከም እትቕበሎም ገሊጹሎም። ብመሰረት'ቲ ልኡኽ ጠቕላሊ መሪሕነት ዘካየዶ ርክባት ከኣ፡ መንግስቲ ሶርያ ሓቅታት ንምፍላጥ ሓደ ልኡኽ ናብ ሜዳ ክሰድድ ወሲኑ። እቲ ልኡኽ ምስ ተመልሰ ከኣ መንግስቲ ንጠቕላሊ መሪሕነት ብምድጋፍ፡ ነቲ ናይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ቤት ጽሕፈት ዓጽዩዎ። ጠቕላሊ መሪሕነት (ሰነ 1970) ኣብ **"ኩልንቴባይ"** ተጋቢኡ እንከሎ፡ ቤት ጽሕፈት ንምርካብ ወኪል ክልእኽ እትጠልብ መልእኽቲ ካብ መንግስቲ ሶርያ ከም ዝመጸትን ሳልሕ ኣሕመድ እያይ ናብኡ ክኸይድ ሰለዝተወሰነ ድማ ብህጹጽ ከይዱ ከምዝተረከቦን ተስፋይ ተኽለ ይገልጽ።

## 2. **ምልክታት ምፍንጫላት** (**ጥሪ** - **ሓምለ** 1970)

***ወገን ጉብኤ ዓማን፡*** እዚ ወገን'ዚን እቲ ኣብ ሜዳ መቐጸልታኡ ዝነበረን መተካእታ ኣብ ምድላይ ግዜ ኣየጥፍኡን። ጉባኤ ዓማን ጠቕላሊ መሪሕነት ዘንጊዑ ከሎ ኣብ ወጻኢ ተቓዋሚ ውድብ ምቛም ከረጋግጽ ክኢሉ ኢዩ። ጠቕላሊ መሪሕነት ዘንጊዑ ከሎ መበሊና ከኣ፡ እዚ መሪሕነት'ዚ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ናይ ወጻኢ ስራሕ ብዝምልከት ናብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ደብዳበታት ብምልኣኽ ጥራይ ደው ሰለዝበለ ምቹእ ግዜ ኣጥፊኡ ኢዩ። እዚ ከኣ ድሕሪ'ቲ ፍሹል ኣኼባ ባቕዳድ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ፡ ቁርቁሳቶም ንኽባርዑን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዘይ ናይ ጠቕላሊ መሪሕነት ምትእትታው ኣብ ዓማን ጉባኤ ንኽካይድን ዕድል ሂቡዎም ኢዩ። ጠቕላሊ መሪሕነት ዝጸነሐ ፍልልያት ላዕላዋይ ባይቶ ይፈልጥ ሰለዝነበረ፡ ድሕሪ ጉባኤ ብቐጢታ ሓደ ልኡኽ ካብ ኣባላቱ ሰዲዱ ተራኺቡዎም እንተዝኸውን ነይሩ፡ ንዓታቶም ንምስምማዕ ናይ መንጎኝነት ተራ ንኽጻወት መኽኣሎ፡ ወይ ከኣ ኣብ ምርጫታት ዑስማን ጽልዋ ምገበረ። እዚ ሰለዘይገበረ ከኣ ነቲ ዝፈጸምዎ ንኽፍጽሙ ነጻ ሜዳ ረኺቦም። ቀጺሉ ከኣ እቲ ንናይ ዑስማን ኢምብራጦሪያ ኣብ ወጻኢ ክሃሲ ዝኽእል ዝነበረ ንላዕለዋይ ባይቶ ናይ ምፍራስ ውሳነ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ኣብቲ ብመሰረቱ ሓድነት መሰረታዊ መቆሚታቱን ንምውሓስን ኣብ ዝኾነ ዝወሰድ ምርጫ ምስኡ ደው ንኽብልን ዘካየዶ ጉባኤ ዓማን ዝያዳ ከምዝጸንዕ ገይርዎ።

ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ ናይ ዑስማን ሕዛእቲ ኢዮም ነይሮም። ናቱ ሰባት ከኣ ነቲ ቀንዲ ኣብያተ ጽሕፈት ተቆጻጺሮም ነይሮም። ሰለዚ ከኣ ዑስማን ነቲ ጉባኤ በቲ ዝወጠኖ መገዲ ከም ዝኸይድ ንምግባር ጸገም ኣይነበሮን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ፡ ብዘይካ ኣዝዩም ውሑዳት መብዛሕትኦም ኣባላት ጉባኤ **"ንላዕለዋይ ባይቶ ንምፍራስን መተካእታኡ ካልእ ኣካል ንምቛምን ክሳብ ክንደይ ይህንደዱ ከምዝነበሩ"** ተዓዚብና ኢና። ዑስማን ካልእ ናጻ ውድብ ንኽሃንጽ ይደፍእዎ ከምዝነበሩ ከኣ ኢና ክንግምት እንኽእል። ጉባኤኛታት ኣቀዲሞም ነቲ ዑስማን ዝደልዩ ዝነበረ ይፈልጥዎ ሰለዝነበሩ ንኸማልእሉ ተቐሪቦም ነይሮም እንተበልና ካብ ሓቂ ዝራሓቀ ኣይመሰለናን።

ሰለዚ፡ እቲ ምናልባት ብደብዳበ ተቓወምቲ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ዝኸተሙሉ ናይ መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ዝተደረኸ ክኸውን ዝኽእል ጉባኤ ዓማን፡

ንናይ ውሽጢ ተቓወምቲ፡ ንምፍንጫልን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ዑስማንን ናይ ውሽጢ ባእታታቱን ዝኾነ ሓድሽ ውድብ ንምህናጽን ጥጡሕ ምርጫ ፈጢሩሎም ኢዩ። እዚ ዕድል'ዚ ኣብ ሰሉሳዊ ሓድነት ብሰንኪ ቀንዲ ካብ ባእታታቱ ኣብ ጎኒ ናይቲ ዝቓወሞም ዝነበረ ሓይሊ ሰለዝኾኑ ናጻ ውድብ ንምርግጋጽ ኣይረኸብዎን ነይሮም።

ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ኣብ መጀመርታ ናይቲ ዓመት'ቲ መራሕቲ ራብዓይቲ ክፍሊ ተጋደልቲ ንምውዳብን ናብ ዓደን (የመን) ንምልኣኾምን ኣብ ሱዳን ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም።

ጠቅላሊ መሪሕነት ነዚ ምንቅስቓሳት እዚን ውጽኢቱን ዝገልጽ ተሪር ጸርፌታት ዝተጠቐመሉ ቑጡዕ ኣዋጅ ብ10-4-1970 ኣውጺኡ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር እቲ ኣዋጅ ብዛዕባ እቲ ምትእኽኻብ ዝዛረብ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ነቕርብ። እቲ ኣዋጅ፣

***"ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንውሳኔ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ምስኡ ናይ ረብሓታት ምትእስሳር ዝነበሮም ባእታታት ናብ ሱዳን ክውሕዙ ጀሚሮም። ንገለ ፍጻሜታት ከኣ ብሃይማኖታውን እንዳውን ኣገባብ ክምዝምዝዎ ጀሚሮም። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር ድማ ፡ ካብቲ ፈተውቲ ሰውራ ኤርትራ ንተጋዳላይ ህዝብና ዘበርከትዎ ሓገዛት ውሑድ ዘይኮነ ኣፍሲሶም። እዞም ባእታታት እዚኣቶም፡ በቲ ዘይሰነምግባራውን ዘይሰውራውን ኣገባባቶም፡ መብዛሕትኦም ብልሽውናን ውድቐት ናይ መንፈስን ዝስዓሮምን ጥርጡራትን ብቐቢላውን እንዳውን ኣተሓሳስባታት ዝተባዕጡን ገለ ኤርትራውያን ክእከቡ ክኢሎም ኢዮም። ኣንጻር'ቲ ጠቕላሊ መሪሕነት ዝውክሎ መስመር ደው ንኽብሉ ከኣ ይደፍእዎም ነይሮም።"*** ይብል።

ቀጺሉ እቲ ኣዋጅ ዝተወሰደ ስጉምቲታት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብሪሁ።

***"ድሕሪ እዚ ምዕባለታት እዚ ናብ ዓደን ናይ ምልኣኽ ምድላዋት ተገይሩ። ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ላእክዋም።***

- ***ብ30-3-1970 ካብኣቶም 60 ሰባት ብፍልይቲ ነፋሪት ናብ ዓደን ከይዶም።***
- ***ብ3-4-1970 ካልኦት 20 ሰባት ብጀልባታት ገይሮም ብመገዲ ወይሕ ባሕሪ ናብ ዓደን ከይዶም።***
- ***ብ 7-4-1970 ከኣ 91 ሰባት ብናይ የመን (ባስኮ) ነፋሪት ንዓደን ከይዶም።***
- ***ኣብዚ ግዜ'ዚ እውን ካልኦት ኣስታት 60 ሰባት ናብ ዓደን ንኸኸዱ ድሉዋት ኣለው።"***

***ምፍንጫል ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነት ኣሳይያስ ኣፈወርቂ፡***

ኣብ ለካቲት 1970 ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ሳልሕ ሙሓመድ ፍካክን ፖለቲካዊ ስራሕ ንምክያድ ናብ ከበሳ ተመዚዞም። ክልቲኦም ከኣ ኣባላት ፖለቲካዊ ክፍሊ ኣብቲ መሪሕነት ኢዮም ነይሮም። ኣብኡ ምስ በጽሑ ከኣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ገለ ሰባት ሒዙ ተፈንጪሉ። ብጻዩ ሳልሕ ሙሓመድ ፍካክ ድማ ክምለስ ተገዲዱ። ነቲ ዘጋጠመ ከኣ ንስክረታርያ ጠቅላሊ መሪሕነት ሓቢሩ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ነቲ ጉዳይ ንገለ እዋናት ብምስጢር ኢዩ ሒዙዎ። እቲ ካብ ዝተፈላለየ መኣዝናት ዝቐርብ ዝነበረ ሕቶታት ብዝፈጠሮ ተጽዕኖ ድማ፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ጠቅላሊ መሪሕነት መልእኽቲ ብምስዳድ ኣብ ገለ ስጉምቲታት መሪሕነት ዕቓበታት ሰለዘሎኒ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ተወገነ ክጸንሕ መሪጸ ኣሎኹ ዝብል ጠቅላሊ መሪሕነት ከምዝፈነዎ ዝሕብር ወረ ተዘርግሐ።

ምናልባት እቲ ኣባላቱ ነቲ ወረ ዝፍንው ዝነበሩ ጠቅላሊ መሪሕነት፡ ዕላማኡ ብሰንኪ ምፍንጫል ሓደ ካብ ኣባላቱ ኣብ ልዕሊ'ቶም በቲ ቅልጡፍ ምዕባለታት ዝህወጹ ዝነበሩ ኣባላት ውድብ ንዝፈጥሮ ጽልዋ ንምፍኳስ ኢሉ ክኸውን ይኽእል

ኢዩ። ነዚ ምዕባለታት እዝን ጽልዋታቱን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ መሪሕነት ዝተኸተሎ ኣገባብን ከኣ ጸኒሕና ብዝርዝር ከነቕርቦ ኢና።

**ምልክታት ያበል፡** ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ክልተ ወገን ሳልሕ ሰይድ ሓዮቲ በቲ ሓደ፡ ኣደም ሳልሕ ሽደሊ ከኣ በቲ ካልእ ዝመርሕዎ ቍርቍስ ተቓልቂሉ። እቲ ቀጥታዊ ጠንቂ ናይቲ ግርጭት ከኣ፡ እቲ ካብ ከረን ንወገን ሰሜናዊ ምዕራብ **"ለኮታት"** ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ መንጎ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ሓይልታት ኢትዮጵያን ንኣስታት ክልተ ሰሙን ዝቐጸለ ኵናት ኢዩ ነይሩ። ነቲ ኵናት ዝመርሕ ዝነበረ ወኪል ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ዝነበረ ሳልሕ ሓዩቲ ኢዩ ነይሩ። በዚ መልክዕ'ዚ ከኣ ሳልሕ ሓዩቲ ብቐጥታ ኣሃዱታት ውድብ ይጽውዕን ነቲ ኵናት ይውድብን ይመርሕን ዘድሊ ጠለባት ይቕርብን ነይሩ።

እቲ ኣባል ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ብካልኣይ ደረጃ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ዝሰራዕን ዝነበረ ኣደም ሳልሕ ድማ፡ ንተግባራት ናይቲ ንተራ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዝሰርዝን ናቱ ዕብለላ ዘረጋግጽን ገይሩ ዝቆጽሮ ሳልሕ ሓዩቲ ክቓወም ጀመረ። ተቓውሞ ኣደም ሳልሕ ከኣ ክሳብ ናብ ደረጃ ነቲ ኵናትን ኣመራርሓኡን ብምንቓፍ ፍሹል ኵናት ክብል ዝገለጸሉ በጺሑ።

ግርጭታት ናይዞም ክልተ ሰባት እዚኣቶም፡ ኣብ እዋን ወተሃደራዊ ክፍልታት ብምኽንያት ናይ ዶብ ፍልልያት ኢዩ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተኸሰተ ፍልልያት ከኣ ኣስማቶም ከም ቀንዲ ንፍልልያት ናይተን ክልተ ክፍልታት ዘጎሃህሩ ሰባት ይጥቐስ ነይሩ።

እንተኾነ ግን እቲ ንኣደም ሳልሕ ዘረሳሰነ ጉዳይ፡ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምርካብ ምስ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዓብደላ እድሪስ ንካርቱም ክኸዱ ምስ ተወሰነ፡ ንሱ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ወኪሉ ንሳልሕ ሓዮት ምግባሩ ኢዩ ነይሩ። ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ ብካልኣይ ዝስራዕ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ካርቱም ዝነበረ ቀዳማይ ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም ኢዩ ነይሩ። ንሳልሕ ሓዮቲ ምምራጽ ነቲ ካልኣይ ሰክረታሪ ተስፋይ ተኽለ ብምስጋር ኢዩ ነይሩ።

ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ናብ ካርቱም ክኸይድ ዝተወሰነ ኣብ ጥቅምቲ 1969 ኣብ ኣኸባ **"ሓረዊያታት"** ምንባሩ ተስፋይ ተኽለ ይገልጽ። ኣስዒቡ ተስፋይ፡ **"ጉዳይ ወኪል ኣቦ መንበር ካብ ኣኸባ ወጻኢ ገለ ኣባላት መሪሕነት ጥራይ ኢዮም ተመያይጦምሉ።"** ይብል። ካብቶም ኣብቲ ጉዳይ ዝተሳተፉ ሳልሕ ሓዮቲ፡ ዓብደላ እድሪስን ኣቦ መንበርን ምንባሮም ከኣ ተስፋይ ተኽለ ይረድእ። **"ተስፋይ ንእሽቶ ኢዩ። ተመኩሮኡ ከኣ ዝተወሰነ ኣብ ርእሲ ምዃኑ መረገጺኡ እውን ኣይንፈልጦን ኢና።"** ክብሉ ከም ዝተሰማምዑ፡ ኣብ መንጎ ግን ሳልሕ ሓዮቲ **"ተስፋይ ተኽለ ዝኾነ ካልእ ሰብ እንተ ድኣ ተመዚዙ ክቑጣዕ ኢዩ። ኣነ እንተ ድኣ ተመዚዘ ግን ኣብ ካልኣይቲ ክፍሊ ብደረጃ ሓላፍነት ልዕሊኡ ሰለዝነበርኩ፡ ከምኡ ድማ ኣብ መንጎና ዕርክነትን ጥቡቕ ፍልጠትን ሰለዝሎና ኣይክቁጣዕን ኢዩ።"** ክብል ከም ዝገለጸሎም ሓቢሩ። ኣደም ሳልሕ ምምዛዝ ሳልሕ ሓዮቲ ምስ ሰምዐ ከኣ ኣይተቐበሎን። ኣደም ሳልሕ ብድሕሪኡ እቲ ዝተፈጸመ ውዲት ኢዩ፡ ኣነ ከኣ ኣንጻሩ እየ ክብል ንዑኡ ከም ዝገለጸሉ ድማ ተስፋይ ተኽለ ኣብሪሁ።

ምናልባት ኣቦ መንበርን እቶም ምስኡ ዝተሰማምዑን ንሳልሕ ሓዮቲ ዝመረጽሉ ምኽንያት፡ ዓበይቲ ከተማታት ኣብ ኢዱ ሰለዝነበራ ፋይናንሳዊ ምንጪ እቶት ሰለዝነበሮ ንኣሃዱታት ሰራዊት ወጻኢታት ክገበር ይኽእል'ዩ ዝብልን ካልእ ምኽንያታትን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እዚ ውሳነ እዚ ኣደም ሳልሕ ነዚ ቅድመ

ኩነት'ዚ ኣየማልእን ኢዩ ኣብ ዝብል ግምት ዝተመርኮሰ እንተኾይኑ ዘስዕቦ ኣሉታታትን በቲ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ብካልኣይ ደረጃ ዝሰራዕ ሰብ ዝመጽእ ተቓውሞን ኣብ ግምት ኣየእተወን ማለት ኢዩ።

ብድሕሪ'ዚ ድማ እቲ ንኣደም ሳልሕ ናይቲ ቀንዲ ተጻባኢኡ ናይ ዕብለላ ድሌት ዘረጋገጸሉ ኵናት "**ለኮታት**" መጺኡ።

ተቓውሞ ኣደም ሳልሕ ዝተጋህደ፡ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ካብ ናይ ወጻኢ ዑደቱ እናተመልሰ እንከሎ፡ ካብ ካርቱም ንዕለት 27 ሚያዝያ 1970 ኣብ "**ዓረዳይብ**" ኣኼባ መሪሕነት ንምክያድ ናብ ኩሎም ኣባላት መጸዋዕታ ንኽልእኽ ናብ ጻሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት መልእኽቲ ምስ ሰደደ ኢዩ። ኣብቲ ኣኼባ ኩሎም ኣባላት መሪሕነት ከምጹ ከለው፡ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ "**ባርካ ላዕላይ**" ዝነበሩ ኣደም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ሙሓመድ ኣሕመድ እድሪስን ግን ኣይመጹን።

ኣቦ መንበር ነቲ ኣኼባ ብምትሕልላፍ ከኣ፡ ንሱ ዝመርሖን ዓብደላ እድሪስን ማሕሙድ ቸኪንን ዘለዎን ልኡኽ ብምቛም ነቶም ሰለስተ ኣባላት ንምርካብ ተጓዕዙ። ብልክዕ ከኣ ናብ ኣኼባ ንኽሳተፉ ኣዕጊቦምዎም። ሰለዚ ከኣ እቲ ኣኼብ ንዕለት 6-6-1970 ኣብ "**ኲልንቴባይ**" ክግበር ተወሰነ።

ካብ ኵናት "**ለኮታት**" ክሳብ ኣኼባ "**ኲልንቴባይ**" ዘሎ እዋን ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ቐዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ዝነበረ ፍልልያት ብዘዘኻኽር ኣብ መንጎ ኣደም ሳልሕን ሳልሕ ሓዮቲን ሓድሕዳዊ ክስታትን ጸለመታትን ዝተኸሰተሉ ግዜ ኢዩ። እቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፍልልያት ኣብቶም ንሳቶም ዝጸልውዎም ገለ ካድራት ሰለዘንጸበረቐ ከኣ እዚኦም ብወገኖም ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዘሎ ፍልልያት ዘጋፍሕ ዘረባታትን ቤላቤለውን ክዝርግሑ ጀሚሮም።

ኵናት "**ለኮታት**" ከምቲ ኣደም ሳልሕን ብጾቱን ዝበልዎ ፍሹል ኵናት ኣይነበረን። ተጋደልቲ ኣብ ቅድሚ'ቲ ወተሃደራዊ ጸብለልታ ዝነበሮ ሓይሊ ጸላኢ ጽንዓቶም ዘመስከሩሉ ሓያል መኸተ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝለዓለ ክሳራታት ንምውራድን ግንባሮም ንምዕናውን ንክልተ ሰሙን መመላእታ ተኸታታሊ ፈተነታት ድሕሪ ምክያድ ክዝልቅ ዝተገደደሉ ኵናት ከኣ ተጋደልቲ ኣቓሊልካ ዘይርኣ መስዋእቲ ከፊሎም ኢዮም። ነቲ መኸተ'ቲ ንረብሓ ሓዮቲ ምግላጹ ከኣ፡ ነቶም ተጋደልትን ዝኸፈልዎ መስዋእትን ምብዳል ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ብኣንጻር ናይቲ ዝግብኦ ፖለቲካዊ ትርጉም ዝተዋህቦ ኵናት'ቲ ንኣተሓሳስባ ወገን ኣደም ሳልሕ ናብ ምፍንጫል ንኽዘዙ ዝገበረ ወሳኒ እምነ ኩርናዕ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ከኣ እቲ ምፍንጫል ተጋሂዱ።

እዚ ፍልልያት እዚ፡ ነቲ ንስርሓት መሪሕነት ከም ሓደ ኣካል መሰረት ከይገበረን ክፍልታቱ ከይሃነጸን መደባቱ ከይሓንጸጸን ካብ ሜዳ ንወጻኢ ብምጋሽ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ተፍልዩ ዝጸንሐ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ዓቢ ብድሆ ኢዩ ነይሩ። ብሰንኪ ኣቦ መንበር ኣብ ሜዳ ዘይምጽንሑ ከኣ ምስ ተመልሰ፡ ኩነታት ሜዳ ኣብ ዝኸፈኣ ደረጃ ጸኒሑዎ። በዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ሽግራት ተሸሚሙ ነቲ በብሸነኩ ክመጽ ዝጀመረ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ ተጸመደ። ነቶም ሰለስተ ኣባላት መሪሕነት ናብ ኣኼባ ንኽስተፉ ድሕሪ ምዕጋቡ ከኣ ሙሉእ ተስፋኡ ኣብ ኣኼባ "**ኲሉንቴባይ**" ኣንቢርዎ።

# 3. ኣኸባ የካርዕ (ሚያዝያ 1970)

ባህሪ ጠቅላሊ መሪሕነት ንኩሉ ነገራት ብምስጢር ምሓዝ ኢዩ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ተጋደልቲ ግዳያት ናይ ቤላቤለው ኮይኖም። ካብዚ ዝኸፍእ ከኣ ፖለቲካዊ ኮሚሽነራት ሓይልታት ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታቶም ፖለቲካዊ ስራሕ ከካይዱ፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ንተጋደልቲ ዘሻቕል ዝነበረ ብዙሕ ሕቶታት ከምልሱ ዘይምኽኣሎም ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ንተጋደልቲ ብዝያዳ ካብ ዘሻቕል ዝነበረ ሕቶታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

- ካብ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተኣሰሩ ኣለው ዝባሃል ሓቅነቱ ክሳብ ክንደይ'ዩ?
- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ተፈንጪሉን ሓድሽ ውድብ ንምቛም ይፍትንን፡ ነዚ ዕላማ እዚ ንምርግጋጽ ድማ ካብ ሱዳን ተጋደልቲ ይውድብን ኣሎ ዝበሃል ሓቅነቱ ክሳብ ክንደይ ኢዩ?
- ደቂ ቀይሕ ባሕሪ ብፍላይ ካብ ሜዳ ዝሃድምሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ?
- ምኽንያት ፍልልይ ሳልሕ ሓዮቲን ኣደም ሳልሕን እንታይ ኢዩ? ሰለምንታይ ከ ኣብ ነንሓድሕዶም ዘመተታት የካይዱ?
- ጠንቂ ቅትለት ወልዳይ ግደን ኪዳን ክፍሉን ኣብ ከሰላ እንታይ ኢዩ? ካብ ውሽጢ ከሰላ ዝተጨውዩ ባእታታት ኣለው ዝበሃል ሓቅነቱ ክሳብ ክንደይ ኢዩ?
- ኩነታት ናበይ ገጹ ኢዩ ዝኸይድ ዘሎ?
- እንታይ'ዩ ከ ክግበር?

ተራ ውድብ፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣኼባታት ኣብ ዘይነበረሉ፡ ካድራት ውድብ ብፍላይ፡ ነዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሕቶታት ኣብ ነንሓድሕዶምን መብዛሕትኡ ግዜ ከኣ ብውልቂ ምስ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ከልዕልዎምን ሻቕሎቶም ክገልጹን ግዜ ቅድሚ ምሕላፉ ንኩሉ ሽግራት ውድብ መፍትሒታት ንኽግበረሉ ክጠልቡን ጀሚሮም።

ሽግራት ውድብ እናኸፍኣ ምስ ከደን ተጋደልቲ፡ ብፍላይ ከኣ ካድራት ውድብ ግዳይ ናይቲ ሽግር ኮይኖም ኣብ ውልቃዊ ምርጫታት ከም ኣብ ሱዳን ንነዊሕ ግዜ ኮፍ ምባልን ቃልሲ ምግዳፍን ምስ ኣተው፡ ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሚያዝያ 1970 ናይ ካድራት ውድብ ሰፊሕ ኣኼባ ኣብ **"የካርዕ"** ክካየድ ወሲኑ። ናብ ኩለን ኣሃዱታትን ክፍልታትን ከኣ ዕድመ ዘርጊሑ።

ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ካብ ኣሃዱታት፡ ፖለቲካዊ ኮሚሽነራት፡ ሓለፍቲ ሰሊያን ጥዕናን ከምኡ ከኣ ኣብ ክፍልታት ጠቅላሊ መሪሕነት ዝሰርሑ ካድራትን ተዓዲሞም።

እቲ ልዕሊ 100 ካድራት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ኣብ እዋኑ ተኻይዱ። እቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኸቡ ካድራት፡ ንኩሉ'ቲ ጋህዲ ኮይኑ ዝነበረ ሽግራት ውድብ ንምምይያጥን ንምፍታሕን ወይ ከኣ ጠቅላሊ መሪሕነት መሰረታዊ ፍታሕ ንኽገብር ኣብ ልዕሊኡ ተጽዕኖታት ንምክያድን ተስፋ ገይሮም ኢዮም መጺኦም።

ኣብቲ ኣኼባ ምስ ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣደም ሳልሕ ሸደሊ ተስቲፉ። ዋላ'ኳ ኣብ ቦታ ኣኼባ ካልኦት ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት እንተነበሩ ኣብቲ ኣኼባ ግን ብዘይካ'ዞም ዝተጠቕሱ ዝተሳተፉ ኣይነበሩን።

መግለጺ ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ **"ደቂ ቀይሕ ባሕሪን" "ዘካይድዎ ዘለው ኣዕናዊ ተግባራትን"** ኣብ ምብራህ ዘተኰረ ኢዩ ነይሩ። ንውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ

ከም ዝተቓወሙ፡ “**ንምትሕንፋጽ ሰራዊት**” ከም ዝዓንቀፉ፡ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብምትእስሳር ናብ ሱዳን ተጋደልቲ ከም ዝህደሙ፡ ሓድሽ ውድብ ንምቛም ይስርሑ ከምዘለው፡ ብገንዘብን ብኣውራጃውን እንዳውን ኣገባባት ሕልና ሰባት ከምዝገዝኡን፡ በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ጠንቂታት ከኣ ሽዱሽተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ከም ዝተኣሰሩ ሓቢሩ። ኣብ መንጎ'ቶም ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነትን ገለ ካድራቶምን ንተቓውሞን ህድማን ዝዕድም ኣብ ኢዶም ዝተታሕዘ ኢዩ ዝበሎ ገለ ደብዳበታት ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣኼባኛታት ኣንቢቡዎ።

ጻሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ነቲ ነዊሕ ዝነበረ መግለጺኡ ምስ ወደኣ ከኣ ብወገን ካድራት ክልተ ሕቶታት ጥራይ ምስ ቐረበ፡ ዝቕጽል ርክብ ከይተወሰነ ኣኼባ ተደምዲሙ። ብጠለብ ኣደም ሳልሕ ዝተገብረ ምኳኑ ብሩህ ኮነ።

ዝቕጽል ርክብ ኣብ እዋን ምሽት ክግበር'ዩ ዝብል ግምት እኳ እንተነበረ፡ እቲ ዘጋጠመ ግን ፍጹም ብኣንጻሩ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ከባቢ ስዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ካልእ ኣብቲ ኣኼባ ዝተኻየደሉ ቦታ ዘይኮነ ተጸውዑ። ኣብኡ ኣደም ሳልሕ ንበይኑ መጺኡ ከምቲ ኣብ ወተሃደራዊ ሂወት ዝርኣ ብመስርዕ ደው ክብሉ ኣዘዞም። ኣብ መስርዕ ደው ምስ በሉ ከኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብቕልጡፍ ናብ ኣሃዱኡ ክኸይድ ኣዘዞም። እንተኾነ ግን ብዙሓት ኢዶም ኣልዒሎም ክሓቱ ሰለዘደለዩ ክምለስ ተገዲዱ። ግን ሕጂ እውን “**ዘረባ ዝበሃል የለን፡ ትእዛዝ ሰለዝኾነ ክትግብርዎ ጥራይ ኢዩ ዘለኩም**” ኢዩ ኢሎዎም።

እቶም በዚ ስጉምቲ እዚ ኣዚዩ ዝገረሞም ካድራት ብህድኣት ፋሕ ክብሉን ብዛዕባ'ቲ ዝተፈጸመ ኣብ ነንሓድሕዶም ብመልክዕ ጉጅለታት ክመያይጡን ጀመሩ። ኣብ መጨረሽታ ግን ምስ ኩሉ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ስምዒቶም በጃካ ነቲ ትእዛዝ ተቐቢልካ ፋሕ ምባል ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን።

ኣደም ሳልሕ ኣብ “**የካርዕ**” ምምጽኡ ነቲ ኣኼባ ንምፍሻል ምኳኑ ብሩህ ኮነ። ናብተን ኣሃዱታት፡ እቶም ናብቲ ኣኼባ ዝተጻውዑ ሰባት ንኸይልእኻ ትእዛዝ ብምምሕልላፍ ነቲ ኣኼባ ክዕንቅፎ ይኽእል ክንሱ፡ ኣድማዕነት ኣይህልዎን ኢዩ ካብ ዝብል ወይ'ውን ኣብቲ እዋን'ቲ ዘይመረጸ ምፍንጫል ከይመጽእ ሰለዝስግኦ ግዲ ኮይኑ ኣይመረጸን።

ሰለምንታይ ግን ነቲ ኣኼብ ምፍሻል መሪጹ?

እቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኵናት “**ለኮታት**” ኣብቲ እዋን'ቲ ቀንዲ ሻቕሎት ኣደም ሳልሕ ኢዩ ነይሩ። ሳልሕ ሓዮቲ ኣብቲ ኵናት'ቲ ልዑል ስም ረኺቡ፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊትን ካድራትን ጽልዋ ፈጢሩ፡ እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ውድብ ንጽልዋኡ ኣብ ምሕያል ከበርክት ኢዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ነይሩዎ። ሰለዚ ንኩሎም ኣብቲ ኵናት ዝተሳተፉ መራሕትን ካድራትን ወይ ከኣ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ኣብቲ ኵናት ኣበርክቶ ዝነበሮምን ብዓይኒ ጥርጣረ ይርእዮም ነይሩ።

ሰለዚ፡ ኣደም ሳልሕ ናይ ከምዚ ዓይነት ሻቕሎታት እሱር ሰለዝነበረ፡ ኣኼባ “**የካርዕ**” ፖለቲካዊ “**ለኮታት**” ኮይና ንዝነበሮ ባይታ ኣዳኺማ ንቦታ ሳልሕ ሓዮቲ ከይተደልድል ወይ ከኣ እቲ  ብዙሕ ዘይድግፎ ዝነበረ ካድር ከይሰምር ይሰግእ ነይሩ። ግምታቱ ዝኾነ ይኹን ከኣ፡ እቲ ኣኼባ ኣንጻር ድሌታቱን ውጥናቱን ከይከይድ ካብ ዝብል ፍርሒ ዝወጽእ ኣይነበረን።

ካድር ውድብ ካብቲ ኣኼባ ተስፋ ቆረጹ'ኳ እንተወጸ፡ ንሽግራት ውድብ መሰረታዊ ፍታሕ ንምርካብ ንኽሰርሕ ግን ዝያዳ ድልውነት ሂቡዎ ኢዩ።

ምናልባት ኣደም ሳልሕ ነቲ ኣኼባ ብምፍሻሉ ኣብ እዋኑ ከሲቡ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ቅድሚ እቲ ዓቢ ቁጽሪ ናይ ካድራት ውድብ ደው

ኢሉ ንሽግራት ውድብ ኣብ ምፍታሕ ሓሳባቶምን ርእይቶታቶምን ንኸይቅርቡን ንኸይመያየጡን ብምዕንቃፍ ዓቢ ክሳራ ከሲሩ ኢዩ።

እቲ ሽዑ ዝወሰዶ መርገጺ ብዙሕ ትርጉም ይወሃቦ ነይሩ። ገለ ካብኡ ኣዕናዊ ፖለቲካዊ ዕላማ ዘለዎ ኮነ ኢሉ ዝፈጸሞ ጸይቂ ሰራሕ'ዩ ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ መብዛሕትኦም ካድራት ኣብ ናይ ኣደም ሳልሕን ሓዮቲን ህልኽ ኣትዮም ኣይነበሩን። ብሓቂ ከኣ ኩሉ ኣቃልቦኦም ልዕሊኡ ኢዩ ነይሩ። ኣደም ሳልሕ ውሽጣዊ ሽግራት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ምፍኳስ ኣብቲ ኣኸባ ኣወንታዊ ተራ ንኸጻወት ዕድል ነይሩዎ። እንተኾነ ግን መርገጺኡ ምስቲ ንሱን ብጾቱን ክትግብርዎ ተዓጢቆምሉ ዝነበሩን ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ግዜ ዝተገልጸን ምርጫ ዝተኣሳሰረ ኢዩ ነይሩ።

# 3. ሽግር "ሲሪያት ኣዲስ" (ሓይሊ ኣዲስ)

**ድሕሪ ባይታ ናይቲ ሽግር**፡ ኣብቲ ንሞራል ተጋደልቲ ዝትንክፍ ምዕባለታት ሸፊኑዎ ዝነበረ ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ 1970፡ ብሃንደበት እቲ ጸኒሑ "ብ**ሽግር ሲሪያት ኣዲስ**" ዝተፈልጠ ሽግር ተኸስተ። ነቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ብዙሕ ሕቶታት ዘልዓለ ሓድሽ ፖለቲካዊ ጸር ወሰኾ።

"ሽግር ሲሪያት ኣዲስ" ብመሰረቱ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ካብቲ ክሳብ ጉባኤ ኣዶብሓ ካብ ምፍታሑ ዝሃድም ዝነበረ ሰሉሳዊ ሓድነት ዝወረሶ ኢዩ። ጠቅላሊ መሪሕነት ግን፡ ናቱ ጌጋታት ኣብዚ ጉዳይ ኣብ ቦትኡ እናሃለው፡ ብዘይ ፍትሒ ናይ ምፍጣሩን ምብርዓኑን ሓላፍነት ተሰከመ። ንባዕሉ እቲ "**ሲሪያት (ሓይሊ) ኣዲስ**" ዝብል ስያመ ኣብ ሰሉሳዊ ሓድነት ዝተማህዘ ኢዩ።

መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት ምስቶም እናበዝሑ፡ መብዛሕትኦም ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጹ ዝነበሩ ሓደስቲ ተሰለፍቲ፡ ብፍላይ ከኣ ብሰለያ ኢትዮጵያ ዝተላእኹ ገለ ባእታታት ኣብ ውሽጦም ምስ ተራእዩ፡ ነቲ ጉዳይ ከማሓድሮ ሰለዘይካኣለ፡ ብዛዕባኦምን ብዛዕባ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ብሓፈሻን ክልተ ውሳነታት ኣሕለፈ። ቀዳማይ ነቶም ዝቅበልዎም ክሳብ ኩነታቶም ዘጻረ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም እናተዓለሙ ከም ዝጸንሑ ምግባርን ኣብ ኣሃዱታት ዘይምምዳቦም ዝብል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ወሰነ ከኣ፡ ክሳብ ካልእ ውሳነ ዝመጽእ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ዘይምቅባልን ኣፍደገ ምስላፍ ምዕጻውን ዝብል ነይሩ።

ምናልባት ስግኣታት መሪሕነት ሰሉሳዊ ሓድነት ምኽንያታት ነይሩዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኣሃዱታት ሰሉሳዊ ሓድነት ድሕሪ ምትሕንፋጸንን ዳግመ ስርርዕ ድሕሪ ምግባረንን ንስርዓት ኢትዮጵያ ኣስጊኣን ኢየን ነይረን። ኣንጻር ኣሃዱታት ስርዓት ኢትዮጵያ ቀጻሊ ውግኣት ብምክያድ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊበን። ሰለዚ ከኣ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ነቲ ዝገጠሞም ሓደጋ ንምምካት መሰረታዊ ወተሃደራዊ ጻዕሮም ናብኡ ኣቕኒዮምዎ። ነቲ ድሕሪ ሓድነት ብሓድሽ ናይ ኵናት መንፈስን ስሙር ድሌትን ዝተበገሰ ሓይሊ ንምድምሳስ ከኣ ዓበይቲ ኣሃዱታት ናብኡ ኣቕኒዮም። ሰለዚ ድማ ጸላኢ ኣብ ክሊ'ቲ ዘከይዶ ዝነበረ ወተሃደራዊ ዘመተ፡ ኣብ ስለያዊ መዳይ፡ ሓደ ካብኡ ብጉልባብ ምስላፍ ናብ ቃልሲ ንሓበሬታ ዘገልግልዎ ሃሱሳት ክልእኽ ባህርያዊ ኢዩ።

ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነትን ጸሓፊ ግዝያዊ ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ሰሉሳዊ ሓድነት ዝነበረን ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም ሽግር "**ሲሪያት ኣዲስ**" ምስ ኣጋጠመ ነቲ ሽዑ ኣብ ክፍሊ ሰክረታርያ ዝሰርሕ ዝነበረ ደራሲ ናይዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ድሕሪ

ባይታ ናይቲ ሽግር ኣብ ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ **“ጸላኢ ሓያል ጽፍዒት ነውርደሉ ከምዝለና ምስ ተረድአ፡ ሶሊኹ ናብ ውሽጥና ንምእታው ናብ ቃልሲ ንምስላፍ ብዝብል ምኽንያት ኤርትራውያን ሃሱሳት ልኢኹ። ነዚ ሰራሕ'ዚ ዝተመዘዘ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሰለያ ሓላፊ ኣብ ጊንዳዕ ዝነበረ ኮይኑ፡ ብጉጅለታት ይልኣኾም ነይሩ። ነቲ ጉዳይ ምስ ፈለጥናዮ ከኣ ብዑስማን ሻዕባን እትምራሕ መርማሪት ኮሚተ ኣቑምና። ሓደ ካብ ኣባላታ ከኣ መዓሾ እምባየ ነይሩ። ኣብቲ ዝተኻየደ መርመራ ብጸላኢ ከም ዝተላእኩ ተኣሚኖም። ኩሎም ኣባላት መሪሕነት ኣብቲ ዝተዋህበ ናይ ሞት ፍርዲ ምስ ፈረሙ ከኣ ገለ ካብኣቶም ብሞት ተቐጺያም።”** ኢሉ።

እንተኾነ ግን መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝተቐበሎም ተሰለፍቲ ካብ ዝነበሮ ልዑል ስግኣትን ፍርሒን ንዘይተወሰነ ግዜ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም፡ ታዕሊም እናወሰዱ ክጸንሑ ኢዮ ገዲፉዎም። እቶም ዝምልከቶም ተሰለፍቲ ከኣ ብዛዕባ'ቲ ዝተወሰደ ውሳነ ዝፈልጥዎ ነገር ኣይነበረን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘጋጠሞም ምጉሳይ (ምርሳዕ) ኣብ ውሽጦም ንናይ ቃልሲ ምራሎምን ድልውነቶምን ብኣሉታ ዝጸሉን ጥርጠረታት ከሕድረሎምን ከኣ ባህርያዊ ኢዩ።

ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ኣኸባ **“ሓረዊያታት”** ኣብ ስሉሳዊ ሓድነት ብዙሕ ሽግራት፡ ሓደ ካብኡ ኢትዮጵያ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ሃሱሳት ትልእኽ ምንባራ ከም ዝገለጸን ክሳብ ኩነታቱ ዝጻረ እቲ ናይ ስሉሳዊ ሓድነት ተመክሮ ንኽይድገም ምቅባል ሓደስቲ ጠጠው ክብል ከምዝኣመመ ከኣ ተስፋይ ተኽለ ይሕብር።

**ውሳነ ጠቅላሊ መሪሕነት፡** ምትሕንፋጽ ሰራዊት ሓርነት ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ መጋቢት 1970 ንኣባላት **“ሲሪያት ኣዲስ”** ናብ መብዛሕትኣን ሓይልታት ፋሕ ኣቢሎምዎም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ከኣ ሰለስተ ተመዲቦም።

ኣብ ኣሃዱታቶም ምስ በጽሑ፡ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ዘይመልእ ግዜ ገለ ካብኣቶም ብውልቂ ናብ ዝቐረበ ንቀጣታት ጸላኢ ኢዶም ሰለዝሃቡ፡ መራሕቲ ሓይልታት ኣብ ልዕሊኦም ጥርጣረታት ክሕድሩ ጀሚሮም። ሰለዚ ከኣ እቶም መራሕቲ ሓይልታት ናብ ጠቅላሊ መሪሕነት ደብዳበታት ብምልኣኽ ናይ ቃልሲ ድልውነቶም ድኹም ምዃኑን ናይ ምህዳም ዝምባለ ከምዘለዎምን ብምሕባር፡ ኩነታቶም መፍትሒ ክግበረሉ ጠሊቦም። መብዛሕትኡ እቲ ዝቐርብ ዝነበረ ጥርዓናት ካብተን ኣብ ዓንሰባ ዝነበራ ሽዱሽተ ሓይልታት ኢዩ ነይሩ። ጸቕጢ ምስ በዘሐ ጸሓፊ ጠቅላሊ መሪሕነት ናብ መደበር መሪሕነት ንኽልእኽዎም ሓቢሩ።

**ፍጻመ ደብረሳላ፡** ኣብ ዓንሳባ መራሕቲ ሓይልታት ነቶም ምስኦም ዝነበሩ ጠርኒፎም፡ ካልኦት ካብ ናይ ባርካ ሓይልታት ወሲኾምሎም ሓንቲ ዝዓጠቐት መስርዕ ኣሰንዮም ናብ መደበር መሪሕነት ልኣኹዎም። ቁጽሮም ካብ 15-20 ይብጽሕ ነይሩ።

እታ ንሓለዋኦም ዝተመዘዘት መስርዕ ብዛዕባኦም ዝታሓበራ ነገር ኣይነበረን። ከምኡውን ክትጥንቐቐሎምን ጽኑዕ ሓለዋ ክትገብርን እውን ትእዛዝ ኣይተዋህባን። ሰለዚ ከኣ ከም መሰነይትኦም እምበር ከም እሱራት ይርእይዎም ኣይነበሩን።

ኣብ **“ደብረሳላ”** ዝተባህለ ቦታ ጥቓ ንቀጣ **“ዓደርደ”** ምስ በጽሑ፡ ለይቲ ኣባላት **“ሲሪያት ኣዲስ”** ነታ መስርዕ ብኣእማን ኣጥቂዖም፡ መራሒ'ታ መሰርዕ **“ዮሴፍ ገያ”** ቀቲሎም፡ ንገለ ኣባላት ከኣ ኣቁሲሎም። እንተኾነ ግን መድፍዓጂ ብሬን ዝነበረ ከይደቀሰ ሰለዝጸነሐ ቅድሚ ምሓዞም ብጥይት ሰለዝተቐበሎም ብረት ንምምንዛዕ ዝገበርዎ ፈተነ ሰለዝፈሸለ፡ ዋላ ሓንቲ ብረት ከይሓዙ ሂወቶም ንምድሓን ክሃድሙ መሪጾም።

ኣብቲ ኣብ ድቅድቅ ጸላም ዝተኻየደ ስርሒት ካብ ኣባላት "ሲሪያት ኣዲስ" ክንደይ ተሃሪሞም ዝፍለጥ'ኳ እንተዘይኾነ፡ ገለ ናይ ሞት ሓደጋ ከምዘጋጠሞም ግን ርጉጽ ኢዩ።

ብድሕሪ'ዚ እታ ናይ ሓለዋ መስርዕ፡ እቲ ዝተዋህቦም ዕማም ሓደገኛ ምዃኑን ብዛዕባ ሓለዋኦም ዝምልከት ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ከምዘለዎምን ትእዛዝን ሓበሬታን ስለዘይተዋህቦም ኣንጻር መራሕቶም ናብ ጠቕላሊ መሪሕነት ጥርዓን ኣቕሪቦም። ገለ ካብኣቶም ዓሚቑ ድቃስ ስለዘይወሰዶም ኣድሒኖምውም እምበር ንጥፈኣት ተቓሊዖም ከምዝነበሩ ከኣ ኣብቲ ጥርዓኖም ገሊጾም።

ሓደ ኣባል "ሲሪያት ኣዲስ" ን "ጉጅለ ደብሪ ሳላ" ን ዝነበረ ሃብተማርያም ይሕደጎ፡ ነቲ ጉዳይ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፣

***"እቶም ሓደስቲ ተሰለፍቲ ካብ ኣዲስ ኣበባን ኣስመራን ዝመጹ ኢዮም ነይሮም። መሪሕነት (ስሉሳዊ ሓድነት) ወተሃደራዊ ታዕሊም ክህበና ምስ ወሰነ ናብ ሰለስተ ጉጅለታት መዲቡና። ነፍሰ ወከፍ ጉጅለ ካብ 30 ኣባላት ንላዕሊ ኢዩ ዝቀውም ዝነበረ። ታዕሊም ኣብ ከባቢ ነሓሰ 1968 ኢና ጀሚርና። ኣብ ዝተፈለየ ቦታታት 'ቅሩሕ' 'ምሕላብ' 'ማርያ' 'ሃበሮ'ን 'ኣፍዓበት'ን እንዳተንቀሳቐስና ኣስታት 9 ኣዋርሕ ኢና ተዓሊምና። ድሕሪ ገለ ግዜ ናይ ምጽባይ ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ሓይልታት፡ ኣብ ነፍሰ ወከፍ ሓይሊ 4 ወዚዑና። እቲ ምውዛዕ ዝተኻየደሉ ቦታ 'ሰበር' ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ኣብ ገለ ዝተቐራረበ ሓይሊታት ዝነበርና 18 ኣባላት ኣኪቦምና። እንዳ ኸድና ኮሎና ብሓደ ካባና ሂዲሙ ናብ 'ዓደርደ' ናብ ኢትዮጵያ ሰሊሙ። ኣብታ እቲ ፍጻመ ናይ 'ደብሪ ሳላ' ዝተኻየደላ ዕለት ቀትሪ ክልተ ጤል ሓሪዶምልና። እንዳዕለልና ኮሎና ሓደ ሓደ ሰባት፡ ነሕና 'ደብሪ ሳላ' እንድሕሪ ኣቲና ኣይተርፈናን ኢዩ ሞት፡ ሕጂ ሰዳድ ዎሪ'ኳ እንተረኸብና ንስድራና፡ ብበትሪን ብእምኒን ንእተዎም ተባሂሉ። ብእምንን ብበትሪን ኣቲነዮም ዝወጸ ወጺኡ ዝተረፈ ተሪፉ።"***

ብዛዕባ ጉጅለ ሓለዋን ኣገባብ ሓለዋን ሃብተማርያም ከምዚ ዝስዕብ ይብል።

***"እቶም ዋርዲያ ካብ 6 ክሳብ 8 ኢዮም፡ ካብኡ ኣይበዝሑን ኢዮም ... ንሶም ወሰና ወሰን ይድቅሱ ግን ምሳና ኢዮም፡ ዋላ ሓንቲ ኣይብሉናን ነይሮም፡ ንሕና ግን ብፍርሃት ዝኣክል ተሃዊኽና ንእተዎም ንእተዎም ተባሂሉ ከምዚ ናይ ንእስነት፡ ናይ ጸወታ ቆልዓ ኣቲናዮም።"***

ብዛዕባ ውጽኢት ናይቲ ፍጻመ፡ ሃብተማርያም፡ እቲ ዋርዲያ ከምዝተሃርመ፡ ንሱ ምስ ተሃረመ ቶኽሲ ከም ዝተኸፈተ እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝፈጠ ከምዘየለ ይሕብር።

ብዛዕባ እቶም ዝደሓኑ ከኣ 6 ካብኣቶም ድሕሪ ክልተ መዓልታት ኣብ ዓደርደ መዓስከር ሰራዊት ኢትዮጵያ ከምዝተኣከቡ ይሕብርን ኣስማቶም ይጠቕስን። ብዛዕባ እቶም ካልኦት ግን ዝፈልጦ ነገር ከምዘየለ ኢዩ ዝሕብር።

ደድሕሪ ምውዝያምን ቅድሚ ምእካቦም ካብ "ስሪየት ኣዲስ" ኢዶም ንጸላኢ ዝሃቡ ነይሮም ዶ ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ፡ ሃብተማርያም ከምዝነበሩ ኢዩ ዘራጋግጽ። ኣብ ኣስመራ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል ምስ ወሰዱዎም ኣብኡ 7 ወይ 8 ካብኣቶም ኣቀዲሞም ዝሰለሙ ከምዝጸነሑዎ ይሕብር።

ድሕሪ'ቲ ከም ዝተጻወደ ፈንጂ ኣብ ሜዳ ዝተባርዐ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ዓቢ ሻቅሎት ዝፈጠረ ፍጻመ'ቲ፡ እቶም ኣብ ካልኦት ኣሃዱታት ዝተረፉ ኣባላት "ሲሪያት ኣዲስ" እውን ዓቢ ስግኣታት ሰፊኑዎም ምናልባት ካብቲ ፍጻመ ዝተበገሰ ይኸውን ብዙሓት ካብ ነንበይኑ ኣሃዱታት ናብ ጸላኢ ኢዶም ሂቦም። ሃብተማርያም ይሕደጎ ነዚ ኣመልኪቱ፡ ኣብ ውሽጢ ገለ መዓልታት ኣብ ሰምበል ጥራይ ኣስታት 30

ከምዝተኣከቡ ይሕብር። ኣብቲ እዋን'ቲ ብዘይተፈልጠ ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ገለ ካብኣቶም ስጉምትታት ተወሲዱ ከይከውን እውን ይጥርጠር ኢዩ።

ድሕሪ 37 ዓመታት ብዛዕባ ቅኑዕነትን ጌጋን ናይቲ ዝወሃብ ሓበሬታታት፡ ብፍላይ ከኣ ከምዚ ዝኣመሰለ ሂወት ሰብ ዝጠፍኣሉ ፍጻመ ከተረጋግጽ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝቐርብ ምኽንያታት ኩሎም ተጻረርቲ ወገናት ዝሰማምዕሉ ክኸውን ኣጸጋሚ ኢዩ። ኣብዚ ከነዘኻኽሮ እንደሊ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ፖለቲካዊ ፍጻሜታት ዘተኮረ መጽናዕቲ ናይ ገበናዊ መርመራ መልክዕ ክሕዝ ከምዘይግባእ ምሕባር ኢዩ። ዕላማ ናይዚ ዘቕረብናዮ ሓበሬታታት እውን እንተኾነ ናብዚ መጋባእያታት ዝሰገረን መርበባት ኢንተርነት ዘረኻኸበን ክሳብ ሎሚ መዛረቢ ኮይኑ ዘሎ ፍጻሜታት ሓድሽ መብርሂታት ንምቕራብ ኢዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ሽግር "ሲሪያት ኣዲስ" ንሕቶ ተሳትፎ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ኣብ ሰውራን ኣብ 1967 ዘጋጠመ ፍጻሜታትን ነቲ ኣብ ቅድሚ ግስጋሰ ሰውራ ዕንቅፋት ኮይኑ ዝነበረ ሽግር ዝፍትሓሉ ኣገባባትን እንደገና ኣላዓዒሉ ኢዩ። እዚ ሽግር'ዚ ኣብቲ ተ.ሓ.ኤ. ብዝተፈላለየ መኣዝናት ግዳይ ምፍንጫል ኮይናትሉ ዝነበረት እዋን ብምኽሳቱ ከኣ ንውሽጣዊ ሽግራት ውድብ ኣጋዲዱዎ ኢዩ።

ካብ ኩሉ ድሕሪ ባይታን ፍጻሜታትን "ሲሪያት ኣዲስ" ከኣ ነዚ ዝስዕብ ቀንዲ ውጽኢት ጸሚቕና ከነቕርብ ንኽእል።

- እቲ ሽግር ብመሰረቱ መሪሕነት ኣዶብሓ ዝፈጠሮ ዘይኮነስ፡ ምስ ኩሉ ዝተሓላለኸ ድሕሪ ባይታኡ ካብ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ዝተወርሰ ኢዩ።
- ጠቕላሊ መሪሕነት እቲ ጉዳይ ዝተሓላለኸ ምዃኑ ይፈልጥ ክነሱ ብሸለልትነት ኢዩ ሒዝዎ። መሪሕነት እንተ ወሓደ ኣባላት "ሲሪያት ኣዲስ" ኣብ ትሕቲ ታዕሊም ዝብል ሽፋን ነዊሕ ግዜ (ኣስታት ዓመት) ኣብ ሓውሲ ማእሰርቲ ምጽንሖም ክሳብ ክንደይ ስግኣታትን ጥርጣረታትን ጽልኣት ኣብ ቃልስን ከም ዝፈጥረሎም ክግምት ይግባእ ነይሩ። መብዛሕትኦም ምሁራት ሰለዝነበሩ ኣብ ቅድሚ ጠቕላሊ መሪሕነት እቲ ዝበለጸ ምርጫ ምስኣታቶም ኣብ ኩሉ'ቲ ንዓኣቶም ዘሻቕል ጉዳያት ምምይያጥን ንዕኡ ፈቲሕካ ነቲ ብኣሉታ ዝተጸልወ እምነቶም መሊስካ ብሓድሽ መንፈስን ሞራልን ንቃልሲ ከም ዝቕበሉ ምግባርን ኢዩ ነይሩ።

ሓደ ካብቲ ሽግር "ሲሪያት ኣዲስ" ዝገደፎ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ ኣብ ውሽጢ መንፈስ ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ዓቢ ስንባደ ምፍጣሩ ኢዩ። ከም ውጻኢቱ ከኣ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ወጻኢ ብዛዕባ ዝቃለስሉ ምርጫታት ከሓስቡ ደረኾዎም። ኣብ ቁጽሪ 8 ናይዚ ምዕራፍ'ዚ ነቲ ዝወሰድዎ ምርጫታት ከኣ ክንርእዮ ኢና።

# 5. ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ኣገባብ ሰርሑን ጌጋታቱን

38 ቁጽሪ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ብመሰረት ብንጹር ውድባዊ ራኢይን ውሱን ዕማማትን ዘይተወሰነ ፍኑው ቁጽሪ ኢዩ ነይሩ። እቶም 38 ካብ ውሽጦም ፈጻሚት ሽማግለ ዝመርጹ ሓጋጊ ኣካል ኣይኮኑን። ነዚ ዓቢ ቁጽሪ'ዚ ዝሓትት ክፍልታት ዘለዎ ፈጻሚ ኣካል እውን ኣይኮኑን።

ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ሹድሽተ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣባላቱ ሓሙሽተ ወይ ሽድሽተ ዝሰኩዓሉ ክፍልታት ምሂዙ። ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ከኣ ብሓደ ካብ ኣባላቱ ዝተመርሐ ኢዩ ነይሩ። በዚ ኣገባብ ድማ እዘን ዝስዕባ ሽድሽተ መምስ እንጠቕሶም ሓለፍተን ክፍልታት ቆይመን።

1. ክፍሊ ሰክረታርያ　　ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም
2. ክፍሊ ፖለቲካ　　ማሕሙድ ኢብራሂም ቸኪኒ
3. ክፍሊ ወተሃደራዊ　　ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ
4. ክፍሊ ፋይናንስ　　ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ
5. ክፍሊ ጥዕና　　ዓብደልቃድር ሓምዳን
6. ክፍሊ ጸጥታ　　ሳልሕ ሰይድ ሓዮቲ

ነፍሲ ወከፍ ኣባል ካብ ኣባላት ናይቲ ክፍሊ ከኣ ንሓደ ካብቶም እቲ ክፍሊ ዝሓቁፎም ጨንፈራት ይመርሕ። መራሒ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተሰመየ ኣቦ መንበር መሪሕነት ተመሪጹ። ምክትል ግን ኣይተመርጸሉን።

ሓደ ካብቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ክፋትሖ ዘይከኣለ ወይ ኣቃልቦ ዘይሃበሉ ከኣ፡ እዞም ሓለፍቲ እዚኣቶም ዕማማቶም ብኸመይ የሰላስሉ ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ሓለፍቲ ክፍልታት፡ በቲ ዝነበሮም ቦታን ናይ ምግባር ሓይሊን ንነፍሶም ስራሕ ብምርግጋጽ፡ ካብቲ ኣብ ዘመነ ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝነበርዎ ከባቢታት ተበጊሶም ብውልቂ ዕማማቶም ከካይዱ ክኢሎም ኢዮም። እቶም ነፍሲ ወከፎም ናይ ሓለዋ መስርዕን ወርሓዊ መሳሪፍን ዝተመደበሎም ካልኦት ኣባላት ግን፡ ብዘይ ስራሕ ሰለዝተረፉ ዕድሎም ኣብ ዝመረጽዎ ከባቢታት ምንቅስቓስ ኢዩ ኮይኑ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ ኣብተን ናይ ቅድም ክፍልታቶም ብዝነበሮም ተፈለጥነት ዝሓሸ ኣገልግሎታት ንምርካብ መብዛሕቱኡ ግዜ ኣብኡ ክኾኑ ይመርጹ ነይሮም።

ብዙሓት ካብ ኣባላት መሪሕነት ነተን ዝሰርሑለን ዝነበሩ ጨናፍር ክፍልታት ኣብ ምውዳብን ካብኦም ዝጥለብ መደባት ንምፍጻም ብዙሕ ጻዕሪታት የካይዱ ነይሮም ኢዮም። ገለ ካብኣቶም ከም ክፍሊ ጥዕናን ፖለቲካን ካልኦትን ከኣ ከጥቐሱ ይከኣል። እንተኾነ ግን እዚ ጻዕሪታት'ዚ መደባትን ባጀትን ዘጽድቕ ማእከልነት ብዘይምንባሩ ብዙሕ ግዜ ባኺኑ ይተርፍ ነይሩ።

እቲ ዝነበረ ሕማቕ ፋይናንሳዊ ኣወዳድባ ከኣ ንኩሎ መደባትን ተበግሶታትን ዘበርዕን ከውሒ ኮይኑ። እቲ ዝዓበየ ፋይናንሳዊ ምንጪ ዓበይቲ ከተማታትን ኣብ ከባቢኣን ዝርከብ ጀራዲንን ኢዩ ነይሩ። ብወገን ውዳበ ይኹን ፋይናንሳዊ እቶት ምእካብ ከተማታት ምስ ክፍሊ ጸጥታ ዝተኣሳሰራ ኢየን ነይረን፡ ብመገዲ መሳርዕ ፋዳይን ኣቢሉ ከኣ ኣብዘን ከተማታት እዚኣተን ይሰርሕ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ ፋይናንሳዊ ምንጪ ብተግባር ኣብ ትሕቲ ሓላፊ ክፍሊ ጸጥታ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ማእከላይ ማዕከን ገንዘብ፡ ፋይናንሳዊ ምቁጽጻር ወይ ጠቕላላ ኦዲተር ዝበሃል ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት ከኣ ሓለፍቲ ጸጥታ ኣታዊን ወጻኢን ባዕላቶም ይቆጻጸርዎ ነይሮም።

ሓለፍቲ ክፍሊ ፋይናንስ ዝቆጻጸርዎ ዝነበሩ ከኣ እቲ ካብ ገጠራት ብመገዲ ካድራት ፋይናንስ ዝእከብ ዝነበረ ወርሓዊ ክፍሊታት ዓዲታትን መቅጻዕቲታትን መሸጣ ናይ ዋና ዝተሳእኖ እንስሳታትን ኢዩ ነይሩ። እቶት ገጠራት፡ ብፍላይ ኣብ 1970 ንወርሓዊ መሳሪፍ ሓይልታትን ክፍልታት መሪሕነትን ዘይኣክል ኣዝዩ ውሑድ ሰለዝነበረ፡ ሓለፍቲ ፋይናንስን ኣባላት መሪሕነትን ነቶም ኣወንታዊ መልሲታቶም ኣብ ጽቡቕ ድሌቶምን ውልቃዊ ኣፍልጦታቶምን ዝምርኮስ ዝነበረ ሓለፍቲ ጸጥታ ክልምኑ ይግደዱ ነይሮም።

ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ወይ ከኣ ጻሓፊ፡ ሓለፍቲ ጸጥታ ብፍላይ ዝቕየድሉ እቶትን ወጻኢታትን ዘነጽር ስርዓት ፋይናንስ ኣብ ምድላው ዝኾነ ይኹን

ተራ ኣይነበሮምን። ሓለፍቲ ጸጥታ ካብ ከተማታት፡ ወነንቲ ጀራዲንን ኣውፈርትን ሀያባትን ወፈያታትን ይጠልቡን መቅጻዕቲታትን ውሱን ክፍሊት ይእዝዙን ብመሰረት ግምታቶም ወጻኢታት ይገብሩን ነይሮም።

ልክዕ'ዩ ግሁድ ፋይናንሳዊ ብልሽውና ነይሩ ክበሃል ኣይካኣልን ይኸውን፡ ይኹን እምበር፡ እቲ ኣገባብ ግን ኣብ መንጎ ኣሃዱታትን ክፍልታትን ዘይፍትሓዊ ወጻኢታት ከምዝኸተለ ርጉጽ ኢዩ። ብሰንኪ'ዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ ገለ ኣሃዱታት ብስሩዕ ወርሓዊ መሳሪፈን ክረኽባ ከለዋ፡ ገሊኣን ከኣ ብፍላይ ኣብ ኣኮለጉዛይን ደንከልን ዝነበራ ኣሃዱታት ካብ ብርቱዕ ሰእነት ዝተላዕለ ክሳብ ናይ ቀዳማይ ረዲኤት መድሃኒት ይስእና ነይረን።

ማእከልነት መሪሕነት (ኣቦ መንበርን ክፍሊ ሰክረታርያን) ንውድባዊ ስራሕ ካብኡ ኣባላት መሪሕነት ተንቀሳቂሶምን ዝምለስሉን ማእከላይ መደበር ወይ ቦታ ንምቛም ኣይፈተኑን። ሰለዚ ከኣ ኣብ ኣገባብ ሰርሖም ከም ኩሎም ካልኦት ሓለፍቲ ክፍልታት ቤት ጽሕፈቶም ተሰኪሞም ዝንቀሳቐሱ ኮይኖም።

መብዛሕትኡ ግዜ ኣባላት መሪሕነት ካብ ብጾቶም ሓለፍቲ ፋይናንስን ስንቂን ምትሕግጋዝ ብዘይምርካቦም ንዝተዋህቦም መደባት ክትግብሩ ከምዘይከኣሉ ናብ ማእከልነት መሪሕነት ጥርዓናት ያቕርቡ ነይሮም። ኣቦ መንበር ወይ ጸሓፊ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዝክተልዎ ኣገባብ ኣፈታትሓ ከኣ መምርሒታትን ትእዛዛታትን ምምሕልላፍ ዘይኮነስ ንመንጎኝነት ዝቐረበ ኢዩ ነይሩ።

መራሒ ጠቕላሊ መሪሕነት ድሕሪ ጉባኤ ብቐጥታ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ብመሰረት ጠለቡ ንምርካብ ንወጻኢ ምኻዱን ድሕሪ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ እውን ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ምሉእ ኣብ ወጻኢ ምጽንሑን ሰክረተርያ ወይ እቲ ዝተመዘዘ ወኪል ክመልእዎ ዘይክእሉ ሃጓፍ ስለዝፈጠረ፡ እቲ ኣባላት መሪሕነት ኣብ ዕማሞም ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት ዛይዱ። ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ኣብ መንጎ'ቲ ኣባላት መሪሕነት ዘካይድዎ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ምውህሃድ ተሳኢኑ። እዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ብግዲኡ ኣብ ሓለፍቲ ክፍልታት ናይ ናጽነት መንፈስ ሰለዘማዕበለ፡ ነፍሲ ወከፎም በቲ ንዕኡ ዝረኣዮ ቁኑዕ ኢዩ ዝብሎ ይሰርሕ ነይሩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ብወገን ኣባላት መሪሕነት ዝካየድ ፋሕ ዝበለ ንጥፈታት ናይ ሓባር ስራሕን መደባትን ከጥፍእ፡ ደድሕሪ ፍጻሜታት ከም እትኸይድን ተዋቓዕን ውልቓውን ውሳነታት ከም እትወስድን ክገብረካ ባህርያዊ ኢዩ። ብሰንኩ ከኣ ኣባላት መሪሕነት ንባዕሎም ከም ኩሎም ካልኦት ኣባላት ሰራዊት ሓርነት እቲ ምዕባለታትን ንኣፈታትሕኡ በቶም ሓያላት ዝውሰድ ዝነበረ ውሳነታት ሃንደበት ይኾኑም ነይሩ።

እዚ ብሰንኪ ጉድለት ውዳበ ዝሰዓበ ኣገባብ'ዚ ከኣ ክሳብ'ቲ ኣብ ሰነ 1970 ዝተኻየደ ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ጠቕላሊ መሪሕነት ዝቐጸለ ኾይኑ፡ ኣብ ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ግን ጠቕላሊ መሪሕነት ንኣገባብ ስርሑ ምምሕያሻት ክገብረሉ ፈቲኑ ኢዩ። ነዚ ድማ ኣብ ዝቕጽል ሕጥቦ ጽሑፍ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ ክንርእዮ ኢና።

ማእከልነትን ምቁጽጻርን ብሰንኪ ዘይምንባሩ እቶም ኣብ ፋይናንሳዊ ምንጪታትን ዝምድናታት ምስ መራሕቲ ኣሃዱታትን ዕብለላ ዝነበሮም ሓያላት ባእታታት ብቕልጡፍ ናይ ምልካዊ መንፈስ ከማዕብሉ ተራእዮም። እዞም ወገናት እዚኣቶም ብደረጃ ጠቕላሊ መሪሕነት ይኹን እቲ ዝመርሕዎ ክፍሊ ንብጾቶም ከይተወከሱ ዝዓበየን ሓደገኛን ውሳነታት ይወስዱ ነይሮም። እቶም ዝበዝሑ ካልኦት ኣባላት ከኣ ዝሳተፍሉ መገዲ ስኢኖም ተዓዚብቲ ኾይኖም። ብኸምዚ ከኣ ውሑዳት ኣስማት ክብለጭልጭ ከሎ፡ ብዙሕ ኣስማት ከኣ ማህሚኑ ተሪፉ። ከም ዓብደላ እድሪስ፡ ሳልሕ ሓዮቲ፡ ኣደም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ ዝኣመሰሉ ብዝወስድዎ ዝነበሩ

ውልቃዊ ውሳነታትን ኣብቲ ፍጻሜታት ብዝነበሮም ጽልዋን ንኩሉ ካልእ ኣስማት ዓብሊሎምዎ። ካልኦት ሓለፍቲ ዝደለይዎ ንምርካብ ብውልቅን ብጉጅለን ዘናድይዎም ሰባት ከኣ ኮይኖም። ንሳቶም ብተሓታትነት ይኹን መቕጻዕቲ ከይሰግኡ ንዝኾነ ዘጋጥሞም ጉዳይ ኣብ ምፍታሕ ይኹን ብቆጸራ ኣብ ምምሕልላፍ ድሕር ይብሉ ኣይነበሩን።

ምናልባት ነቲ ቀንዲ መንቀሊ ናይቲ ጸገም ዝነበረ ኣሉታዊ ቅርጺ መሪሕነት ንምፍኳስ ዝበለጸ ኣገባብ ስሩዕ ኣኼባታት ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣኼባታት ነቶም ዝበዝሑ ኣባላት ኣብ ምውሳንን ምትግባርን ምግምጋምን ከሳትፍ ብዝኽእል ኣገባብ ኣይተወደበን። ኣኼባ ጠቕላሊ መሪሕነት ድሕረ'ቲ ላዕለዋይ ባይቶ ዝፈረሰሉ ናይ መጨረሽታ ኣኼባ **"ማሕራ"** ኣብ ታሕሳስ 1969፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ፡ ማለት ኣብ **"ኲልንቴባይ"** ኣብ ሰነ 1970 እንተዘይኮይኑ ኣይተኻየደን።

ኣገባብ ሰራሕ ጠቕላሊ መሪሕነት ምስ ህዝቢ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ካብቲ ኣብ ዘመነ ክፍልታት ዝነበረ ኣይተቐየረን። ጠቕላሊ መሪሕነት ነቲ ኣባላቱ ብመራሕቲ ክፍልታት ዝተመርጹ ብሽማግለ ዓድን ከባቢታትን ዝውከል ውድባዊ ቅርጺ ከምዘለዎ ገዲፉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንፖለቲካዊ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ፍጹም ጎስዩዎ ወይ እውን ንዝበለጸ ተሳትፎ ሓፋሽ ዘረጋግጽ ዝኾነ ይኹን ኣገባባት ኣይመሃዘን። ሰለዚ ከኣ ተራኡ ከምቲ ናይ ቅድም ንተጋደልቲ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብን ነቲ ዝኻየድ ዝነበረ ምዕባለታት ከም ታዓዛቢ ኣብ ምክትታልን ዝተወሰነ ኢዩ ነይሩ።

ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ዝምድናን ኣገባብ ስራሕን በቲ ናይ ቅድም ኣገባብ ሰለዝቐጸለ ከኣ፡ ነቲ ናይ ቅድም ርክባት ከም ዝዕቐብን ተማእዛዝነት ህዝቢ ድማ ኣብቶም ኣብ ነንሓድሕዶም ዝወዳደሩ ተጻረርቲ ባእታታት ከም ዝከፋፈልን ገይሩ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ክፍሊ ቸኪኒ ኣገዳስነት ፖለቲካዊ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዘይርዳእ ኣይነበረን። ኣብ ውድባዊ ቅርጺ ምምሕያሽ ንምግባርን ኣገባብ ኣመራርጻ ሽማግለታት ዓድን ከባቢታትን ብምርጫ ክኸውን ጻዕሪታት እኳ እንተካየደ፡ ከም ኩሉ ብዙሓት ኣባላት መሪሕነት ዘቕረብዎ ብዙሕ ተበግሶታት ግን ብሰንኪ ቐዳመነታት ዝውሰንን ብኡኡ መሰረት መደባትን ባጀትን ዘጽድቕን ማእከልነት ብዘይምንባሩ በርዒኑ ተሪፉ ኢዩ።

* * *

ጠቕላሊ መሪሕነት ዝፈጸሞ ዓበይቲ ጌጋታት መሰረታዊ ጠንቂ እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐሰናዮ ዝተኸተሎ ኣገባብ ሰራሕን ጉጉይ ኣረዳድኣ ንሓላፍነታቱን ኣተገባብራኡን ኢዩ ነይሩ።

ጉባኤ ኣዱብሓ እውን ብወገኑ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ንተራኡ ብቕኑዕ ንኽይርዳእ ናይ ስልጣን መንፈስ ንኽገዝኣን ኣበርኪቱ ኢዩ።

እዘን ዝስዕባ ኣዋጅ ጉባኤ ኣዱብሓ ሒዙዎ ዝወጸ ውሳነታት ንመልከት።

"1. **ብዘይካ ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ ካልእ ውልቀ ሰብ ይኹን ጉጅለ ብስም ውድብ መግለጺ ክወጽእ መሰል የብሉን።**

2. **ካብ ውድብ ወጻኢ ካልእ ምትእኽኻብ ፍጹም ኩልኩል ኢዩ። ቅድሚ'ዚ ኣዋጅ እዚ ዝቖመ ዝኾነ ይኹን ምትእኽኻብ ድማ ንዘለዎ ዓቕሚ ንዝምልከቶ መሪሕነት ሰራዊት ክረክብ ኣለዎ።**

3. ኣብ ወግዓዊ ውድባዊ ኣኸባታት እንተዘይኮኑ፡ ብዛዕባ ኩነታት ሰውራ ኣብ ሓፋሻዊ ቦታታት (public) ዘይምዝራብ።
4. እዚ ውሳነታት፡ እዚ ኣዋጅ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ግብራዊ ይኸውን።
5. ዝኾነ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ውሳነታት ምጥሓሱ፡ ከም ንሰውራ ምብዳህ ስለዝቑጸር፡ ሰውራ ኣይክምሕሮን ኢዩ። እኳ ድኣ ንዝኾነ ሕጊታት ሰውራ ንምጥሓስ ዝፍትንን ብዓቕሚ ህዝቢ ዝጻወትን ተሪር መቕጻዕቲ ክውርዶ ኢዩ።"

ብኸምዚ ዝኣመሰለ ፍኑው ስልጣን ዝብገስ መሪሕነት ናብ ቐታሊ ጌጋታት ከም ዝወድቐ ግድን ኢዩ። "ንሰውራ ከም ምብዳህ ስለ ዝቑጸር … " "ሰውራ ኣይክምሕርን'ዩ" "ሕጊታት ሰውራ ንምጥሓስ … ተሪር መቕጻዕቲ … " ዝብል ከ ብዘይካ ንሰውራ ምክልኻል ብዝብል ምስምስ ንምቕታልን ምእስርን ፍቑድ ምግባር እንታይ ካልእ ትርጉም ኣለዎ። እቲ ዘገርም እቲ ኣዋጅ ንጉባኤኛታት ተነቢቡሎም ከብቅዕ፡ ንዝፈጥሮ ጠንቂ ብዘይምሕሳብ ነዚ ፋኑው ስልጣን'ዚ ንጠቕላሊ መራሕነት ምሃቦም ኢዩ።

ጠቕላሊ መሪሕነት በዞም ክልተ ረቛሒታት፡ ማለት ኣብ ኣገባብ ስርሑን ጉጉይ ኣረዳድኣ ኣብ ሓለፍነታቱን ተደሪኹ፡ ኣብ ልዕሊ ተ.ሓ.ኤን ስማን ዓቢ ጉድኣት ዘውረደ ቀታሊ ጌጋታት ፈጺሙ ኢዩ። ቀንዲ ካብቶም ዝፈጸሞም ጌጋታት ከኣ ብርእይቶና እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

**ናይ ምእሳር ኣገባባት ምኽታል፦** ባህሪ ናይቲ ዝነበረ መሰጋገሪ መድረኽ ዝጠልቦ ማእከላይ ፍታሕ ንምርግጋጽ ዝኣከል ህዱእ ዘተታት ከየካየደ ኣንጻር መራሕቲ ራብዓይቲ ክፍልን ምስኣታቶም ምትእስሳር ኣለዎም ኢሉ ንዝጠርጠሮምን ናብ ምእስር ምቕድዳም። እቶም ኣብ ጉባኤ ኣዶብሓ "ዝተዓወቱ ብዙሓት" ፖለቲካዊ ድሕረ ባይታ ናይቲ ዝተዓወቱሉ መድረኽ ይፈልጡ ስለዝነብሩ፡ ብደረጃቲ ተኣፋፊ መድረኽ ዝተሰከምዎ ከቢድ ሓላፍነት ክኸኑ ነይሩዎም። ኣብ ቅድሚኦም ዝነበረ ዝዓበየ ሓለፍነት ከኣ፡ እቲ ጉባኤ ምእንትኡ ዝተኻየደሉ ሓድነት ሰውራ ንምውሓስ ዘይተቆጠበ ጻዕሪ ምክያድ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ክንዲ ናይ ይቕረን ምትዕግጋብን ናይ ተጻራርነት መንፈስ ዓብሊሉዎ። ንመገዲ ዘተ ጎኒ ገዲፉ ከኣ ናብ ምቕጻዕ ተጓይዩ። ልክዕ'ዩ ነቶም ውሳነታት ኣዶብሓ ቅድሚ ምዝፋፉ ተቓውምኦም ዘበገሱ ተቓወምቲ ክትከላኸለሎም ዝከኣል ኣይኮነን። ከምኡውን ነቲ መሪሕነት፡ ናብ ሱዳን ተጋደልቲ የህድሙ ኣለው ክብል ዘቕረቦ ክሲታትን ነቲ ጸሓፊ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ኣኸባ "የካርዕ" ንተቓውምን ህድማን ዝዕድም ደብዳበታት ምስኣታቶም ጸኒሑና ክብል ዝገለጾን ኣፍካ መሊእካ ኣሉታ ክትህበሉ ኣይከኣልን ኢዩ። እዚ ኩሉ ግን ነቲ መሪሕነት ኣገባብ ዘተ ከይፈተነ ዝወሰዶ ናይ ማእሳር ስጉምትታት ምኽኑይ ዝገብሮ ኣይኮነን።

ብድሕሪ'ዚ መሪሕነት ንካድራት ራብዓይቲ ክፍሊ ብዓይኒ ጥርጣረ ኢዩ ክርእዮም ጀሚሩ። ንገለ ካብኣቶም ከኣ ኣሲሩዎም ኢዩ። ነቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዘዕግብ መርትዖታት ከቕርበሉ ብዘይ ምኽኣሉን ብምስጢር ምትሓዙን ከኣ እቲ ስጉምትታት ኣንጻር ኩሎም ደቂ ቀይሕ ባሕሪ ከምዝቐንዐ መሰለ። ልክዕ ኢዩ ካብ ራብዓይቲ ክፍሊ ወጻኢ ካልኦት ባእታታት እውን ብዘይተገልጸ ምኽንያታት ተኣሲሮም ኢዮም። ይኹን'ምበር ክፍልታት መሪሕነት ጥርጣረታቶም ናብ ካድራት ራብዓይቲ ክፍሊ ብምቕናዖም፡ ነቲ ቁርቁስ ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ጥራይ ከምዘሎ ኣምስሎ።

ምናልባት እቶም ተቓወምቲ ንደቂ ክፍሎም (ከባቢኦም) ናብ ሱዳን የህድሙ ነይሮም ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። እንተኾነ ግን መሪሕነት ንኩሉ ኣብ ራብዓይቲ ክፍሊ ዝነበረ ካድር ብዓይኒ ጥርጣረ ምጥማቱ፡ ንብዙሓት ንኽሃድሙ ኣተባቢዑ ኢዩ። ከምኡውን ንጉባኤ ዓማን ብዘተኣማምን መገዲ ናብ ምፍንጫል ገጹ ንኽግስግስ ዓቢ ዕድል ሂቡዎ።

ብዛዕባ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ 1970 ዝተኣሰሩ ብዙሕ ዝተጋነነ ዘረባታት ኣሎ። ገለ ካብኡ ክሳብ ኣስታት 400 ይበጽሕ ዝብል ኢዩ። እቲ ናይ ምእሳር ስጉምቲ ብሃውሪ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ናብቶም ከም ተቓወምቲ ዝጥርጠሩ ሓይልታት ዝቐነዐ ኢዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ቁጽሪ ብዝኾነ ይኹን ዋላ ክሳብ ፍርቂ ናይዚ ተጠቒሱ ዘሎ ብዝሒ እውን ዝበጽሕ ኣይኮነን። ብዛዕባ'ዚ፡ ብሓቂ ንኽትጽሕፍ ዝስሕበካ ፍጻሜታት'ዚ፡ ክጽሕፍን ከመራመርን ንዝደሊ ከምዚ ዝኣመሰለ ክሲታት ጭብጢ ንክተቕርበሉ ኣጸጋሚ ኢዩ።

**ቅትለት ወልዳይ ግደን ኪዳነ ክፍሉን፡** ወልዳይ ግደ ካብ 1966 ጀሚሩ ኣባል ሰውራዊ መሪሕነትን ሓላፊ ጨንፈር ዜናን (ትግርኛ) ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ከኣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ተስቲፉ ኢዩ። ከምኡውን ኣብታ ኣብ 1967 ንሽግራት ሓሙሽይቲ ክፍሊን ጋሽን ንኽትምርምር ብኣቦ መንበርነት ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ ብሰውራዊ መሪሕነት ዝቖመት ኮሚተ ኣባል ነይሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ድሕሪ ባይታ ኣብ መሪሕነትን ኣበርክቶን ዝነበሮ ሰብ ብምንባሩ ከኣ ንሽግራት ተ.ሓ.ኤን ድሕሪ ባይታኡን ጠንቂታቱን ብዝያዳ ዝፈልጥ ኣባል መሪሕነት ኢዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ሚዛናውን ዘይህውኽን ብምንባሩ ክሳብ መጨረሽታ ኣብ ክሊ መሪሕነት ንኽሰርሕ ክኢሉ ኢዩ። ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ ግን ሓደ ካብ ተቓወምቲ ንመሪሕነትን ካብኡ ወጻኢ ካልእ ምርጫታት ናይ ቃልሲ ዘናድዩን ኮይኑ።

እንተ ኪዳን ክፍሉ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ኣብ 1966 ኣብ ሰውራ ብምስላፍ ሓደ ካብ ካድራት ክፍልታት ሰውራዊ መሪሕነት ኮይኑ ሰሪሑ። በዚ መልክዕ ከኣ ሓድነት ጨንፈራት ሱዳን ንምርግጋጽ ኣብ ዝተካየደ ጽዕርታት ተስቲፉ። ኣብ ጉባኤ "ገዳርፍ" ብምስታፍ ከኣ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኮይኑ ተመሪጹ። እንተኾነ ግን ቅድሚ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣብ ሓምለ 1969 ምስ ሓደ ዓብደሰመድ ኣሕመድ ዝተባህለ ካልእ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ዝነበረ ኮይኑ ኣባልነቱ ካብቲ ሽማግለ ስሒቡ። ክልቲኦም ድማ ነቶም ካልኦት ኣባላት ንማእከላይ ሽማግለ **"ንስርዒታዊ ሕጊታት ጥሒሶም፡ ንዝተዋህቦም ሓላፍነት ኣብ ግምት ኣየእተውን ብኡኡ እውን ኣይተማእዘዙን፡ ንማእከላይ ሽማግለ ውልቃዊ ረብሓታቶም ንምርግጋጽ ከም መሰጋገሪ ድልድል ይጥቀምሉ ኣለው።"** ዝብሉ ክሲታት ዘቕረብሉ ኣዋጅ ኣውጺኦም። ማእከላይ ሽማግለ ብወገኑ ንኣዋጆም መልሲ ሂቡሉ። ንሳቶም ከኣ ብወገኖም ንመልሲ ማእከላይ ሽማግለ መሊሶምሉ። ብድሕሪኡ ግን ማእከላይ ሽማግለ ካብ ምምላስ ተቖጢቡ።

ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ ኪዳነ ክፍሉ ካብቶም ቐዳሞት ኣብ ከተማ ከሰላ ንጠቅላሊ መሪሕነት ዝቓወሙን ኣንጻሩ ብንጥፈት ዝዋስኡን ኮይኑ። ኪዳነ ክፍሉ ኣዝዩ ንጡፍን ዳይናሚካውን ሰብ ሰለ ዝነበረ ብኣረኣእያ ጠቕላሊ መሪሕነት ከም ኣዝዩ ሓደገኛ ሰብ ይጥመት ነይሩ። ምስ ወልዳይ ዕርክነታዊ ምትእስሳር ሰለዝነበሮ ከኣ ክልቲኦም ብሓባር ኣንጻር መሪሕነት ይንቀሳቐሱን ንምቅዋሙ ህዝቢ የለዓዕሉን ነይሮም።

ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ እዋን እቲ ኣዚዩ ተኣፋፊ፡ ኣንጻር ዝኾነ ተቓዋሚ ሰጉምቲ ኣብ ምውሳድ ህውኽ ኢዩ ነይሩ። ዋላ ምስ ኣባላቱ ከይተረፈ ኣፍደገ ዘተ ከመይ ገይሩ ከም ዝዓጸዎን ኣብ ናይ ሓባር ስራሕን ኣማሓዳራ ግርጭትን ክኸተሎ ዝነበሮ ባህሊ ብምጥሓስ ኣብ ውሽጢ መድረኽ ዘተ ክኸውን ዝግብኡ ኣኸባ ከመይ ገይሩ ከም ዝኣሰሮምን ተዓዚብና ነርና። በዚ መንፈስ'ዚ ከኣ'ዩ ኣንጻር ተቓወምቱ ኣብ ሱዳን ሰሪሑ። ናይ ምጭዋይ ፖሊሲ ከኣ ተኸተለ። ከተማ ከሰላ ንዶብ ዝቐረበት ብምዃና ከኣ፡ እታ እንኮ ከተማ ንምጭዋይ ዝመችኣት ነይራ። ነዚ ናይ ምጭዋይ ፖሊሲ ከኣ ኣብ ከተማ ከሰላ ክትግብሮ ጀሚሩ። ነቲ ኣብ ምምሕዳር ጉዳይ ሰደተኛታት ዝንጥፍ ዝነበረ ዓሊ ሙሓመድ ስዒድ ብርሓቱ ኣብ ምጭዋይ ከኣ ተዓዊቱ።

ወልዳይ ግደን ኪዳነ ክፍሉን ንምጭዋይ ዝተገብረ ስርሒት ግን ንምትንታኑ ኣድላይነት ዘይብሉ ምትሕልላኻት ሰለዝጋጠሞ ኣብ መጨረሽታ ብቅትለቶም ተደምዲሙ። ሽዑ መዓልቲ እቲ ጉዳይ ኣብ ከተማ ከሰላ ተባሪዑ። ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘሕዝን ጉዳይ ድማ ኮነ።

ቀጺሉ ድማ ኣብ ሜዳ ሰለዝተተኮሰ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝነበረ ኣሉታዊ ምዕባለታት ካልእ ተወሳኺ ጸር ኮነ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ሜዳ ዘስፋሕፍሐ ብዙሕ ሽግራት ንተጋደልቲ ኣብ ምሕባር ይግደስ ኣይነበረን። ዋላ ምእሳር ናይቶም ሽዱሽተ ኣባላቱ ብምስጢር ኢዩ ሒዙዎ። ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝቐርብ ዝነበረ ብዙሕ ሕቶታት እውን ብኣሉታ ሓንሳብ ከኣ ብምጉሳዩ ኢዩ ዝምልሰሉ ነይሩ። ኣብቲ ኣብ ሚያዝያ 1970 ኣብ “የካርዕ” ዝተኻየደ ኣኸባ እንተ ዘይኮይኑ ከኣ ብወግዒ ተዛረብሉ ኣይፈልጥን ኢዩ።

ብዛዕባ ቅትለት ወልዳይን ኪዳነን ሕቶታት ምስ በዘሐ ከኣ፡ ኪዳነ ክፍሉ ብፍላይ ምስ ጸላኢ ምትእስሳር ከም ዝነበሮን ካብ ሰለያ ኢትዮጵያ ናብኡ ዝተሰደ መልእኽቲ ከምዝተታሕዘን እቲ መደብ ንምቅታሎም ከምዘይነበረን፡ እቲ ንምጭዎዮም ዝተገብረ ፈተነ ምስኣታቶም መርመራታት ንምክያድ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ግዜ ምጭዋዮም ምትሕልላኻት ሰለዘጋጠመ ግን ከም ዝተቐትሉ ክዛረብ ጀሚሩ።

እቲ ፍጻመ ኣዝዩ ሕማቅ ኢዩ ነይሩ። ንሰውራ ዘኽፍእን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ምፍጻሙ ከኣ ንክብሪ ናይታ ሃገር ዝደፈረ ኢዩ ነይሩ።

ካብ ኩሉ ዝኸፈኣ ድማ እቲ ፍጻመ ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ነጸብራቕ ኢዩ። መላእ ውድብ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ መሪሕነት ንውሳነታት ጉባኤ ካብቶም ከበርዕንዎ ዝሰርሑ ይክለኻል ኣሎኹ ኣብ ዝብለሉ ዝነበረ እዋን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ሸሚሙዎ።

**ሕጽረት ፖለቲካዊ ስራሕ፡** ኣብቲ እዋን'ቲ ካብቲ ብዙሕ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝኸሰሮ ንተጋደልትን ህዝብን ሓቀኛ ኩነታት ንምሕባር ስሩዕ ጽሑፋት ብምዝርጋሕ ይኹን ክትዕን ምትዕግጋብን ዘፍቅድ ኣኼባታትን ፓለቲካዊ ስራሕን ብምክያድ ክጎድል ይከኣል ነይሩ። ጠንቂ ናይ ኩሉ ሽግራት ጠቅላሊ መሪሕነት ንበይኑ ኣይነበረን። እቲ ቀንዲ ጠንቂ፡ ጌጋታት ጠቅላሊ መሪሕነት ከይሸፈንካ፡ ጉባኤ ዓማን ኢዩ ነይሩ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ዝብሎ ስኢኑ ኣይነበረን። ብዛዕባ ውድድራት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ጉባኤ ዓማንን ውሳነታት ኣዱብሓን ጠቅላሊ መሪሕነት ንምህራምን ንምፍሻልን ዝካየድ ዝነበረ ጽዕርታትን፡ ከምኡውን ብዛዕባ ናይ ውሽጢ ተቓወምቲን ክዛረቦን ከቃልዖን ዝኽእል ብዙሕ ጉዳያት ነይሩዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን ጠቅላሊ

መሪሕነት ንፖለቲካዊ ጎስጓስ ፈጺሙ ሰለዝዘንግዖ ተጋደልቲ ሓበሬታታትን ዝርዝራቱን ካብ ኣፍ ተጻረርቲ መሪሕነትን ናይ ፕሮፓጋንዳ ምንጫታቶም ንኽረኽብዎ ይግደዱ ነይሮም። ሰለዚ ከኣ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ኣንጻር መሪሕነት ሰለዝኸደ ጌጋታቱን ጌጋታት ካልኦትን ክሰከም ተገዲዱ።

ድሕሪ ነዊሕ ድቃስ ኣብ መጋቢት 1970 ክፍሊ ዜና ምስ ኣቆመ ከኣ ብዙሕ ክድሕን ክኢሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ብዙሕ ክሳራታት ምስ ወረዶን ኩነታት ካብ ኢዱ ከምልጥ ምስ ቀረበን ኢዩ ጀሚሩዎ።

# 6. ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ጠቅላሊ መሪሕነት (6-10/6/1970)

ኣብ ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ብንጹር ራኢዩን ዝተወሰነ ኣጀንዳን ዝኣተው ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ንክልተ ቀንዲ ፖለቲካዊ ወገናት ዝውክሉ ኢዮም ነይሮም። ንሳቶም ከኣ፣

- ዓብደላ እድሪስ፡ ሳልሕ ሓዮትን ስዒድ ሳልሕን ብሓደ ወገን።
- ኣደም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዑስማን ዓጂብን ከኣ በቲ ካልእ ሸነኽ ኢዮም ነይሮም።

እንተ ኣቦ መንበር መሪሕነትን ጸሓፊኡን ሻርነት ዘይብሎም እኳ እንተነበሩ፡ ቀንዲ ሻቅሎቶምን ሃሞምን ነቲ ንተ.ሓ.ኤ. ኣብ ሓድሽ ዓዘቅቲ ዝሸመመ ዓቢ ሽግራት ከም ሓደ መሪሕነት ኮይኑ ዝምክት ሓድነት መሪሕነት ንምውሓስ ኢዩ ነይሩ። ኣቦ መንበር መሪሕነት ብፍላይ፡ ካብ ሜዳ ንነዊሕ ግዜ ብምፍላዩን ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሚያዝያ ምስ ተመልሰ እውን ፍልልያት ኣባላት መሪሕነት ተጋሂዱን፡ ወገናት ድማ ተነጺሩን ሰለዝጸነሐ ንኩነታት ክቆጻጸሮ ብዘይምኽኣሉን ልዕሊ ኩሉ ስሙ ዝተጎድኣን ተራኡ ዝጎደለን ንሱ ኢዩ ነይሩ። እታ ሓንቲ ዝተዓወተላ ነቶም ኣብቲ ኣብ ካርቱም ኮይኑ ዝጸውዖ ኣኼባ ምምጻእ ዝኣበዩ ስለስተ ኣባላት መሪሕነት ኣደም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ሙሓመድ ኣሕመድ እድሪስን ኣብ ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ንኽሳተፉ ከዕግቦም ምኽኣሉ ኢዩ። ነቲ ዝተፈጥረ ነቓዕ ብመገዲ ኣኼባ "ኩልንቴባይ" ንምፍዋስ ተኽእሎ ከም ዘሎ ከኣ ተስፋ ኣሕዲሮሉ። እዚ ዓቢ ሻቕሎት ዝሕደረሉ ጉዳይ'ዚ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣብ ኣኼባ ሒዙዎ ዝኣተወ ኣጀንዳ ኢዩ ነይሩ።

እንተ ካልኦት ኣባላት መሪሕነት ናብ ሰክረታርያ መሪሕነት ዘቅረብዎ ጸብጻባት፡ ኣብ ክፍልታቶም ዘጋጠሞም ጸገማትን ክፍልታቶም ንኽይሃንጹን ዝተዋህቦም ዕማማት ንኽይትግብሩን ዘጋጠሞም ዕንቅፋታትን ዘተኮረ ነይሩ። ብወገን ሓለፍቲ ናይተን ጨናፍር ክፍልታት ዝቐረበ ጸብጻባት ንሓለፍቲ ፋይናንስን ስንቂን ብዘይ ምትሕግጋዞምን ስራሕ ዝጠልቦ ነገራት ካብ ምቅራብ ብምህዳሞምን ዝኸሰሰ ነይሩ።

እቲ ምልክት ምፍንጫላቱ ንዓይኒ ግሉጽ እናኾነ ዝኸይድ ዝነበረ ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ንኩሉ ዝኸበደ ጾር ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ እቲ ኣኼባ ንሓድነትን ቀጻልነትን ሰውራ ብዘውሕስ ንኩሉ ሽግራት መሰረታዊ ፍታሕ ከምጽእ ኩሎም ዓቢ ተስፋ ኣንቢሩሉ ዝነበረ ኢዩ። እቶም ኣብ መሪሕነት ካብ ዝምረጹ ተራኦም ተጎስዩ ዝነበረን ንሕልናኦም ዘዕግብ ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝኾነ ኣበርክቶ ክገብሩ ከምዘይከኣሉ ዝፈልጡን ዝበዝሑ ኣባላት መሪሕነት ድማ፡ ንተ.ሓ.ኤ. ካብቲ ትኸዶ ዝነበረት ሓደገኛ ኣንፈት ንምድሓን ብህጹጽ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ዝብል መርገጺ ሰለዝሓዙ፡ ኣብ ኣኼባ ነዚ ዕላማ'ዚ ብቀዳማይ ደረጃ ንምርግጋጽ ኢዮም ኣትዮም።

ኣብቲ ኣኼባ ዝላዓለ ኣቓልቦ ተዋሂቡዎ ዝነበረ ኣገዳሲ ጉዳያት፡ እቲ እቶም ክልተ ተጻረርቲ ፖለቲካዊ ክንፈታት ዝበልናዮም ሒዞምዎ ዝኣተውን ካብ ካልኦት

ንላዕሊ ንዓኣቶም ኣገዳሲ ዝነበረን ኣጀንዳታት ኢዩ ነይሩ። ንኹሎም ዝጠምር ዝነበረ እቶም ጉዳይት ከኣ፡ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ምፍንጫላትን ምቅልቃል ሓደስቲ ውድባትን፣ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤን ምስንዳኡን፣ ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ ወተሃደራዊ ጉባኤ ምክያድ፣ ምስዳድ ልኡኽ ናብ ወጻኢ፣ ኣገባብ ስራሕ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝብሉ ነይሮም። ጉባኤ ካልእ ብዙሕ ጉዳይት ተመያይጡ እኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ባህሪ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝነበረ ውድድራትን ቀዳማይ ምልክታቱ ንዓይኒ ግሁድ ዝነበረ ኣባላቱ ዝወሰድዎ ፖለቲካዊ ምርጫታትን ዘንጸባርቐልና እዚ ኣቐዲምና ዝጠቀስናዮ ሓሙሽተ ጉዳያት ሰለዝኾነ ናብኡ ጥራይ ክነተኩር ኢና።

***መርገጺ ኣብ ልዕሊ ምፍንጫላት፡*** እቲ ቀዳማይ ክንፌ ምናልባት እውን ተሪር ክንፌ ኢልና ክንሰምዮ እንኽእል፡ ተርኢዮ ምፍንጫላት ብፍላይ ነቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝመርሖ ምንቅስቓስ ብምኹናንን ቅድሚ ምዕባዩ ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ክድምሰስ ጸዊዑ። እዚ ክንፌ'ዚ ዘቅረቦ ምጉት ከኣ፡ ኣብ ወገናዊ መሰረት ዝቆመ ተርኢዮ ውድባት፡ እቶም ንዕኡ ዘቑሙ ሽነኻት ብቐዳምነት ከኣ ዑስማን ብሽምኡ ፍሉጣት ሰለዝኾኑ፡ ንካልኦት ከምኡ ክገብሩ ዝደልዩ ኣብነት ምእንቲ ክኸውን እዚ ሓደገኛ ተርእዮ'ዚ ክቁጸ ኣለዎ ዝብል ነይሩ። ምናልባት እዚ ክንፌ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተሪር መርገጺ ምርኣዩ፡ ነቲ ኩሉ ምንቅስቓሳቱ ናብ ምፍንጫል ገጹ ዝኸይድ ዝነበረ ካልኣይ ክንፌ ንጹር መልእኽቲ ከመሓላልፍ ሰለዝደለየ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

እቲ ካልኣይ ክንፌ ድማ ካብቲ ጸኒሕና እንገልጾ ናይ ባዕሉ ኣጀንዳ ተበጊሱ፡ ነቲ ብቀዳማይ ክንፌ ዝቐረበ ሓሳብ ሽግራት ዘጋድድን ንደም ምፍሳስ ዝዕድምን ኢዩ ብምባል ብትሪ ተቓዊምዎ። ሰለዚ ከኣ ትርጉም ናይቲ ብተጻራሪኡ ዝቐረበ መልእኽቲ ብግቡእ ሰለዝተረድኦ፡ ሕጊ ኮይኑ ንሱ ቅድሚ ካልኦት ብኡኡ ምእንቲ ከይፈረድ ከፍሽሎ ወሲኑ ኢልና ክንግምት ንክእል ኢና።

ኣብቲ ተገራጫዊ ፖለቲካዊ ረብሓታትን ተጻራሪ ምርጫታትን ዝነበሮ ኩነታት፡ ኣብ ሓደ ናይ መሰማምዒ ነጥቢ ክብጽሕ ሰለዘይተኻእለ እቲ ኣኼባ፡ ኣንጻር እቲ ዝተቐልቀለ ምፍንጫላት ወተሃደራዊ ስጉምቲ ወይ ዘተ ዝብል ውሳነ ከይወሰደ፡ ነቲ ጉዳይ ብዘይ ፍታሕ ሰጊሩዎ። እዚ ዘረድኦ ነገር እንተሃልዩ ከኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ወገን ተሓታትነት ብዘይብሉ ዘዝመሰሎ ስጉምቲ ክወሰድ ምግዳፍ ማለት ኢዩ።

***ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ፡*** ንምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ብጋህዲ ዝነጽግ ወገን ኣይነበረን፡ ምኽንያቱ ምስ ድሌት ናይቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋርሕ ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ቁርቁሳትን ዝውስድ ዝነበረ ውልቃዊ ውሳነታትን ተዓዚብቲ ዝነበሩ ዝበዝሑ ኣባላት መሪሕነት ክጋጮ ምኻኑ ሰለዝፈልጥ። እቲ ኣንጻር ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ደው ክብል ዝኽእል ዝነበረ ወገን ናይ መጻኢ "ዑብላውያን" ወገን ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ጉባኤ ንናይ ምፍንጫል ውጥናቶም ክፍሽለሎም ሰለዝኽእል። እንተኾነ ግን እዚ ወገን'ዚ እውን መደባቱ ከይቃላዕ ሰለዝሰግእ ነቲ ናይ ብዙሓት ጠለብ ዝነበረ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ኣይተቓወሞን።

ሰለዚ ከኣ ግዚኡ ኣብ ዓቕሚ ምድላዋት ኣሳናዳኢት ሽማግለ ዝምርኮስ ሃገራዊ ጉባኤ ክግበር ተወሲኑ። እታ ኣብ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝተመስረተት ኣሰናዳኢት ሽማግለ በቲ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተኸሰተ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ተጻልያ ሰለዝነበረት ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝተረፉ ኣባላታ፡ መብዛሕትኦም ካብ ናይ ወጻኢ ተማሃሮ ዝኾኑ ሓደስቲ ኣባላት እቲ ኣኼባ ወሲኹላ።

**ምክያድ ወተሃደራዊ ጉባኤ**፡ ውሽጣዊ ኩነታት ሜዳ በቲ ዝተጋህደ ምፍንጫላትን ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተራእየ ቁርቁሳትን ፍልልያትን ብዙሕ ሰለዝተጸልወ፡ መሪሕነት እውን ኩነታት ኣብ ምቁጽጻር ሰለዝፈሸለ፡ እዚ ኩሉ ድማ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ናይ ተስፉ ምቁራጽ መንፈስ ሰለዘውረደ፡ ሓድነት ተጋደልቲ ንምዕቃብን ኣረኣእያኦም ኣብቲ መሰረታዊ ጉዳያት ንምስማርን ንሃገራዊ ጉባኤ ድሉዋት ንምግባሮምን ምእንቲ፡ ቅድሚ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ ተወሲኑ። እንተኾነ ግን እቲ ኣኽባ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለት ኣይወሰነን።

**ንወጻኢ ልኡኽ ምስዳድ ብዝምልከት**፡ ቀዳማይ ልኡኽ ብሰለስተ ኣባላት፡ ማለት ጸሓፊ መሪሕነት ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም፡ ሳልሕ ሓዮቲን ዓብደልቓድር ሮመዳንን ዘለዎ፡ ካልኣይ ልኡኽ ብድሕሪኦም ዝኸይድ ከኣ ማሕሙድ ቺኪኒ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዓብደልቓድር ሮመዳንን ዘጠቓለለ ልኡኻት ንወጻኢ ክኸዱ ተወሲኑ።

**ኣገባብ ስራሕ መሪሕነት ብዝምልከት**፡ ኩሉ ኣብቲ ንመሪሕነት ዘጋጥም ብድሆታት ምእንቲ ክሳተፍ ንኤርትራ ኣብ ሰለስተ ግንባራት ባርካ፡ ሰንሒትን ኣኮለጉዛይን ከም እትካፋፈል፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግንባር ከኣ ገለ ኣባላት መሪሕነት ከም ዝምደቡ ተገይሩ።

በዚ ድማ፡ እቲ ንውሽጣዊ ፍልልያት መሪሕነት ብዘይካ ሓድሕዳዊ ምክሳስ ብጋህዲ ዘይተዛረበ ኣኼባ "**ኩልንቴባይ**" ተደምደመ። ብላዕላዩ ዕውት ዝመሰል'ኳ እንተነበረ ብውሽጡ ግን ከምኡ ኣይነበረን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ሓደገኛ ተርእዩ ምልክታቱ ድሮ ክርኣ ዝጀመረ፡ እቲ ብወገን ናይ "**ያበል**" ባእታታት ዝነበረ ናይ ምፍንጫል ዝምባለ ኢዩ ነይሩ። ኣኼባ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣይተዘራረበሉን። ክዛረበሉ እውን ዓቕሚ ኣይነበሮን። ምኽንያቱ እንተ ድኣ ተላዒሉ ኣኼባኛታት ክዓጽውዎ ዘይክእሉ ኣፍደገ ፍልልያት ብገሬሕ ክኸፍት ሰለዝኽእል።

ኣብቲ እዋን እቲ ንኣባላት መሪሕነት ብምቅያር ይኹን ብምትሕስሳብ ክቆጻጸር ዝኽእል ሓያል ማእከልነት ብዘይ ምንባሩን፡ ስልጣን ብግብሪ ናብቶም ዝነበሩ መደበራት ሓይሊ (Power centers) ብምስጋሩን ዝበዝሑ ኣባላት ድማ ናብኣታቶም ብምክፍፋሎምን ንዓኣቶም ክውድቅ ወይ ከድክም ዝኽእል መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣይተካእለን። በዚ ምኽንያት ድማ ኣኼባ መሰረታዊ ዕላማኡ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ዝዓለመ ግዝያዊ መሰማምዒ ፍታሕ ጥራይ'ዩ ገይሩ።

ካብዚ ኣኼባ'ዚ ክሲቡ ዝወጸ ወገን ድማ እቲ ናይ "**ዑበላውያን**" ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ውሽጢ ክሃንጽዎ ዝመደቡ ማእከሎም ብሰላም ተሪፉ። እኳ ድኣ በቲ ዝተገብረ ሓድሽ ምክፍፋል ኣደም ሳልሕን ሙሓመድ ኣሕመድ እድሪስን ኣብ ባርካ ብምምዳቦም መሊሱ ደልዲሉ። ከምኡ'ውን ናብ ወጻኢ ወኪል ንምስዳድ ዝነበሮም ዕላማ ናይ ምንቅስቓሶም መሃንድስ ኣሕመድ ኣደም ዑመር ብምልኣኹ ተዓዊቶም ኢዮም። ኣብ ካርቱም ዝነበረ ወኪሎም ዑስማን ዓጂብ እውን እቲ ምቅይያር ኣይተንከፎን።

ከምኡውን ነቲ ምንጪ ሓይሊ ናይቶም ተቀራቀብቲ ወገናት ዝነበረ ፋይናንሳዊ ምንጪታት እቲ ኣኼባ ከይተንከፎ ምሕላፉን እቶም ተሃላለኽቲ ወገናት ንኽጥቀምሉ ምግዳፉን ብግብሪ ኣብቲ ናይ ምውዳድር ዕላማኦም ንኽውዕልዎ ምፍቓድ ማለት ኢዩ። እዚ ረቛሒ'ዚ "**ዑበላውያን**" ኣብ ምዕቃቡ ዝተዓወትሉ መኸሰብ ኢዩ ነይሩ።

# 7. ዑበላውያን፡ ምድላው ንምፍንጫል (ቀዳማይ መድረኽ ክሳብ ጥቅምቲ 1970)

*መስረቲ ዑበል ካብ ተ.ሓ.ኤ. ንምፍንጫልን ናይ ገዛእ ርእሶም ውድብ ንምምስራትን ዝወሰንሉ ዕለት ብንጹር ንምቅራብ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ መጋቢት* 1970 *ኣብ ለኮታት ዝተኻየደ ኵናት፡ ኣብ ምምስራት ዑበል ንዝተኻየደ ምንቅስቓስ ናይ መጀመርታ መበገሲ ነጥቢ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ናይ ዓወት ቀንዲ ቅድመ ኩነት ህላወ ነቲ ውድብ ዝኣምን ሰራዊት ሰለዝኾነ፡ እተን ኣብ ባርካ ዝነበራ ዓሰርተ ሓይልታት ድማ ድሕሪ ምትሕንፋጽ ክሳብ ሹዑ ኣቃውማኣን ዓቒበን ሰለዝነበራ ሓላፍተን ካብ ኩሉ ከባቢታት ስለዝነበሩን ውሕስነት ተማእዛዝነተን ንዑኡም ብቀሊል ዝረጋገጽ ኣይነበረን። ሰለዚ ከኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ውድብ ንምምስራት ብዝተጸንዐ መደረኽ ብመድረኽ ዝትግበር መደባት ስሪዖም። ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ድማ እዚ ዝሰዕብ መደባት ተግቢሮም።*

***ቀዳማይ፡ ፋይናንሳዊ ምንጪታት ምቁጽጻር፡*** *ቀንዲ ምንጪ ፋይናንሳዊ እቶት፡ ዓበይቲ ከተማታትን ኣብኣን ዝርከብ ንግዳዊ ትካላትን ኣብ ከባቢኣን ዝነበረ ጀራዲንን ኢዩ ነይሩ። ኣብ ናታቶም ኩነታት ከኣ እተን ሽዑ ዝነበራ ቀንዲ ከተማታት ኣቑርደትን ተሰነይን ኢየን። ነዘን ከተማታት እዚኣተን ድማ ክፍሊ ጸጥታ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ብመገዲ ጉጅለታት ፌዳይን ኣቢሉ የመሕድረን ነይሩ። ነዚ ምንጪ እቶት'ዚ ንምቁጽጻር ድማ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ጉጅለታት ፋዳይን ዳግመ ስርርዕ ብምክያድ፡ ብዝሰዕቡዎም ባእታታት ከም ዝምረሓ ምግባርን ንዘይደልዮዎም ባእታታት ምእላይን ኢዩ ነይሩ። ኣሕመድ ኣደም ዑመር ኣብ ክፍሊ ጸጥታ ካልኣይ ሓላፊ ሰለዝለዝነበረ ከኣ፡ ነዚ ዕማም እዚ ንምዕዋት ሓላፍነቱን ስልጣኑን ተጠቂሙ። ብመሰረት'ቲ መደብ ዘይተደለዩ ባእታታት ብምእላይ ብሰዓብቲ ባእታታት ከም ዝትክኡ ገይሩ። ኣብቲ ኣዋን'ቲ ሓላፊ ጉጅለ ፋዳይን ኣብ ኣቑርደት ዝነበረ ማሕሙድ ሓሳብ ድማ ካብቶም ዘይድለዩ ሰለዝነበረ ከም ዝእለ ተገይሩ። ንሱ ንወገናዊ ተግባራት ብዝርእዩ ዝነበረ ተቓውሞ ፍሉጥ ኢዩ ነይሩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ከም ድላዮም ብዘይ ቁጽጽር ነቲ ገንዘብ ክጥቐምሉ ምእንቲ ንፋይናንሳዊ ምንጪታት ተቆጻጺሮምዎ።*

***ካልኣይ፡ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበን እድሪስ ሙሓመድ ኣድምን ምርኻብ፡*** *ናይ መጻኢ **"ዑበላውያን"** ኣብ ኣኸባ **"ኲልንቴባይ"** ክኣትው ከለው፡ ሓደ ካብ መሰረታዊ ኣጀንዳታቶም፡ ካብኣቶም ሓደ ብፍላይ ከኣ ኣሕመድ ኣደም ዑመር ምስቲ ኣኸባ ዘቐሞ ናይ ወጻኢ ልኡኽ ንወጻኢ ምልኣኽ ዝብል ነይሩ። እቲ ዕላማ ድማ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበን እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ብምርኻብ ንምርድዳኦምን ከምኡ ድማ ዑስማን ነቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ንኽሕግዞምን ምስ ውድቦም ምውህሃድ ንኽገብርን ንምስምማዕ ኢዩ ነይሩ።*

*ብልክዕ ድማ ኣብ ኣኸባ **"ኲልንቴባይ"** ንኣሕመድ ኣደም ዑመር ሓደ ካብቶም ሰለስተ ኣባላት ናይቲ ንወጻኢ ዝተላእኹ ካልኣይ ልኡኽ ከምዝኸውን ገይሮም። ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ ኣብቲ እቲ ልኡኽ ኣብ ወጻኢ ዝጸንሓሉ ግዜ ዕማሙ ክሳልጥ ኸኢሉ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ነቲ ሓሳብ ብምቅባል ፋይናንሳዊ ሓገዝ ሂቡዎም። ሓደ ካብቲ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ ኣሕመድ ኣደም ዑመር ዝገበሮ ስምምዕ ከኣ ነቶም ተኣሲሮም ዝነበሩ ሽዱሽተ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ምውጻእ ዝብል ነይሩ።*

**ሳልሳይ፡ ምጽራይ ሓይልታት ባርካ፡** እዚ “**ዑበላውያን**” ብዓቢ ድፍረት ዝወሰድዎ ሓደገኛ ዕማም ኢዩ ነይሩ። ካብ መጀመርታ ወርሒ ነሓሰ ኣትሒዞም ምስ ስዓብቶም ብምውህሃድ ኣብተን ኣብ ባርካ ዝነበራ ኣሃዱታት ንተጋደልቲ ናይ ዕረፍቲ ኣፍደገ ከፈቱ፡ ብፍላይ ድማ ንደቂ ካልእ ከባቢታት ንዝኾኑ ተጋደልቲ። ነዚ መደብ'ዚ ንምትግባር ከኣ ንሳቶም ፈጠርቱ ዘይኮኑ ክልተ ረቛሒታት ሓጊዙዎም።

- ቀዳማይ ረቛሒ፡ ተጋደልቲ ሰሉሳዊ ሓድነት፡ በቲ ድሕሪ ምትሕንፋጽ ናይተን ሰለስተ ክፍልታት መሪሕነቶም ብዝወሰዶ ውሳነ ንነዊሕ ግዜ ካብ ዕረፍቲ ተኸልኪሎም ሰለዝነበሩ፡ ናይ ዕረፍቲ ኣፍደገ ምስ ተኸፍተ ንኽጥቐመሉ ተጓይዮም።

- ካልኣይ ረቛሒ ድማ ተጋደልቲ ሰሉሳዊ ሓድነት ብርቱዕ ድኻም ሰለዝነበሮም ብዙሓት ካብኣቶም ብሕማም ዓሶ ተጠቒያም፡ እቲ ወቕቲ እውን ኣብ ባርካ ናይ ዓሶ ወቕቲ ኢዩ ነይሩ። ናይ ሕክምና ክሊኒካት ድማ ብኣታቶም መሊኡ። ኮነ ኢሎም ከኣ ብሕማምን ዕረፍቲን ኣመኽንዮም ይጽሕፍሎም ነይሮም።

ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ብዘይ ዋዕዋዕታ መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ሰሉሳዊ ሓድነት ብዕረፍቲ ከምዝእለዩ ገይሮም።

ነቲ ኣብተን ሓይልታት ዝነበረ ሰብኣዊ ሕጽረት ንምሽፋንን ዓቕመን ንምሕያልን ድማ ኣብ ባርካ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ባርካ ታሕታይ (ሕዳረብ)ን ተሳትፎኦም ኣብ ሰራዊት ድኹም'ዩ ዝበልዎ ከባቢታትን ብምስግዳድ መንእሰያት ከሰልፉ ወሲኖም።

እዚ ስጉምቲ እዚ ግን ዓቢ ፍሽለት ኢዩ ኣጋጢሙዎ። ካብቶም ብምስግዳድ ናብ ክፍሊ ታዕሊም ዝተላእኩ ኣማኢት መንእሰያት፡ ገለ ዓሰርተታት እንተዘይኮይኖም ብምልኦም ሃዲሞም። እቲ ንሰሙን መመላእታ ዘካይድዎ ጻዕሪታት ድማ ብሰንኪ ህድማ ኣብቲ ካልኣይቲ ሰሙን ይፈሽል ነይሩ። ዝኾነ ይኹን ኣገባባትን ሜላታትን እኳ እንተ ተጠቐሙ ደው ከብልዎ ግን ኣይከኣሉን።

እዚ ኩሉ ብመራሕቲ “**ያበል**” ዝውስድ ዝነበረ ስጉምቲታት መብዛሕትኦም ካድራት ውድብ ይከታተልዎ ሰለዝነበሩ፡ ኣብ ዝቕጽል ዝያዳ ከም ነብርሆ ንምፍሻሉ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ይሰርሑ ነይሮም። እቲ ምስ መራሕቲ ሓይልታትን ጋንታታትን ዘተታትን ክትዓትን ብምክያድ ዝጀመረ ምንቅስቓስ ካድራት ውድብ ኣብ ምትግባር እቲ መደብ ይጸሉን ሕቶታት የለዓዕልን ብብዙሓት ኣሃዱታት ዓገብ ይበሃልን እኳ እንተነበረ “**ዑበላውያን**” ግን ኣብቲ መጀመርታ ተገዳሰነት ኣይገበርሉን።

ምርጫ “**ያበላውያን**” ንኩሉ ብሩህን መዛረብን ኮይኑ። ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ከይተረፉ ነቲ በዚ ጉጅለ'ዚ ዝውስድ ዝነበረ ስጉምቲታት እኳ ዓገብ እንተበልዎ ደው ንምባሉ ግን ዋላ ሓንቲ ክገብሩ ኣይከኣሉን።

በቲ “**ብያበላውያን**” ዝተወሰደ ናይ “**ምጽራይ**” ስጉምቲ ብዙሕ ዝተሳቐየ ኣቦ መንበር ጠቕላሊ መሪሕነት ኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ ዓቢ ሽግር፡ እተን ሓይልታት ነቶም ካብ ዕረፍቲ ዝመጹ መብዛሕትኦም ካብ ኣኮለጉዛይ ዝኾኑ ተጋደልቲ ምቕባል ይኣብይኦም ምንባረን ኢዩ። ብመልክዕ መሳርዕ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ከይዶም ጥርዓኖም ቀጻሊ የቕርቡ እኳ እንተነበሩ፡ ኣቦ መንበር ጠቕላሊ መሪሕነት ግን ናብ ሓይልታቶም ክምልሶም ወይ ድማ ናብ ካልኦት ኣሃዱታት ከምድቦም ይኽእል ኣይነበረን። ነዞም ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ዝቕበል ወገን እውን ኣይነበረን። ኣቦ መንበር ጠቕላሊ መሪሕነት ካብኣታቶም ነቶም ሓለፍቲ እቲ ሽግር ክፍታሕ ምኻኑ ብምድዕዓስ ናብ ክፍሊታት መሪሕነትን ኣሃዱታት ዓንሰባን ኣኮለጉዛይን ኣብ ምምዳብ ጥራይ'ዩ ተዓዊቱ።

ብሰንኪ'ዚ ድማ ብዙሓት ተጋደልቲ ብፍላይ ካብ ደቂ ኣኮለጉዛይ፡ ነናብ ዓዶም ክምለሱ ስለዝተገደዱ ህላወኦም ኣብ ውሽጢ ህዝቢ መራሒቲ ናይቲ ከባቢ ክምልሰሉ ዘይከኣሉ ሕቶታት ኣለዓዒሉ።

* * *

ቀጺሎም "*የበላውያን*" ሕቶ ሰልጣን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ናብ ረብሓኦም ንምልዋጥን ውድቦም ንምእዋጅን ወሳኒ ስጉምቲ ወሰዱ። እዚ ከኣ ኢዩ እቲ ኣብ ከሰላ ዘካየድዎ ኣኼባ ዝወሰኖ።

ኣኼባ ከሰላ ካብ 18 ክሳብ 21 ጥቅምቲ 1970 ብኣቦ መንበርነት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም[144] ኢዩ ተኻይዱ። እቲ ኣኼባ ሕቶ ሰልጣን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ንምምንዛዕን ምስቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብ "ሶዶሓዒላ-ደንከልያ" ዝተመስረተ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት ንምስማርን ዝዓለመ እስትራተጂ ሓንጺጹ። ነዚ እስትራተጂ'ዚ ንምትግባር ከኣ ዝተማልኣ ውጥን ስኢሉ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር እቲ ኣኼባ ዘሕለፎም ቀንዲ ውሳነታት[145] ክንርኢ ኢና።

> "**ዓንቀጽ 1/ሀ፡ 15 ኣባላት ዝሓቆፈ፡ *ሃገራዊ ሓድነት ዘለዎ፡ ዝላዓለ ስልጣን ኣብ ተ.ሓ.ኤ ዝኸውን ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ይቐውም። ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስርሓት ይመርሕ። ስልጣኑ ድማ ክሳብ ጠቕላሊ ሃገራዊ ጉባኤ ይቅጽል።***
>
> ***ለ. ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ካብ* 30-11-1970 *ዘይሓልፍ ግዜ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣዋጅ ናብ ሰራዊትን ህዝብን የማሓላልፍ።***
>
> 1. ***ጠቕላሊ መሪሕነት ካብ ውሳነታት ጉባኤ ኣዱብሓ ብምውጽኡ ምኹናን።***
> 2. ***ጠቕላሊ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክካየድ ምዃኑ ምርግጋጽን፡ ቅድሚኡ ወተሃደራዊ ጉባኤ ምክያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ምሕባር።***
> 3. ***እሱራት ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነትን ካልኦት እሱራትን ንኸወጹ ምጥላብ።***
> 4. ***ኣብ መንጎ ናይ ቅድም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ዝነበረ ፍልልያት ከም ዝተፈተሐን ሃገራዊ ሓድነት ንምዕማቑ ምእንቲ ብሓባር ክሰርሑ ምኻኖምን ምእዋጅ።***
> 5. ***ጠቕላሊ መሪሕነት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ምምራሕ ሰራዊትን ውሽጣዊ ስርሓት ኣብ ምክያድን ስልጣኑ ክጥቐም እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ንሃገራዊ ሓድነት ዝውክል ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ክፈልጦ ኣለዎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ግን ኣብ ምምራሕ ሰራዊት ሕጋውነት ኣይህልዎን"***

ዝምድና ምስ ዑስማን ሳልሕ ብዝምልከት ከኣ እቲ ኣኼባ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፉ።

> "**ዓንቀጽ 5- *ዑስማን ሳልሕ ሳበ ውድቡ ከም ዘፈረሰን ኣሃዱታቱ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ጠቕላሊ መሪሕነት ከም ዝኣተወን ኩሉ ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ትሕዝቶኡ ኣብ ትሕቲ ሓለፍነት ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ምዃኑን ዘረጋግጽ ኣዋጅ የውጽእ።"***

[144] ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ፡ ኣድም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ ዑስማን ዓጂብ፡ ማሕሙድ ዲናይ፡ ስሌማን ኣደም ስሌማን፡ ሳልሕ ዑስማን ሻትርን ኣብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ኢዮም።
[145] ነቲ ውሳነታት ዝሓዘ ሰነድ ብምልኡ ማሕሙድ ኢሎስ ኣብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ መጽሓፉ ኣብ ገጽ 501-502 ኣውጺኡዎ ኣሎ።

ማሕሙድ ኤሎስ ኣብቲ ብ30-3-1989 ምስ ኣደም ሳልሕ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣደም ሳልሕ ***"እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ኣኸባ ከሰላ ብዛዕባ'ቲ ማእከላይ መሪሕነት ንምቛም ዝውሰድ ስጉምቲታት ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣቐዲሙ ከም ዝተሰማምዐን ንሱ ኣካል ስምምዕ ኣኸባ ከሰላን ኣባል ማእከላይ መሪሕነትን ከኸውን ድልው ምኻኑን ኣረጋጊጹልና።"*** ክብል ከም ዝሓበሮ ይገልጽ።

ብዛዕባ'ቲ ውሳነታት ትዕዝብቲታትና ቅድሚ ምቕራብና፡ ገለ ከነቕርቦ እንደሊ ሕቶታት ኣሎና። እዚ ውሳነታት'ዚ ብኸመይ ኣገባብ'ዩ ግብራዊ ክኸውን ዝኽእል? ኣኸበኛታት እንታይ ውሕስነት ሰለዝነበሮም ኢዩ፡ ኣዋጅም ዕለት 30-11-1970 ንኸወጽእ ዝወሰኑ? ከምኡ'ውን ክሳብ ጠቅላሊ መሪሕነት ንውሳነታቶም ምስ ዘይምብርከኽ ሕጋውነት የብሉን ንምባል ዘድፈሮም እንታይ ኢዩ?

ንሕና ነዚ ሕቶታት'ዚ ኣብ ውሳኔታት ኣኸባ ከሰላ መልሲ ኣይንረኽበሉን። እቲ መልሲ ኣብ ካልእ ቦታ ኢና ንረኽቦ።

ኣብ ቅድሚና እቶም ዝተኣሰሩ ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ዑበላውያን ምስ ኣውጽእዎም ብ16-1-1971 ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮን ዝጸሓፍዎ ነዊሕ ደብዳበ ኣሎ። ብመሰረት ኣሕመድ ኣደም ዑመር ዝገለጸሎም፡ ዝርዝር ትግባረ ውሳነታት ኣኸባ ከሰላ ድማ ይሕብር። እዚ ንምዕባለታት ***"የበል"*** ኣብ እንገልጸሉ ብዙሕ ክሕግዘና ዝኽእል ደብዳበ እዚ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።

***"ኣብ ሜዳ ብ30-11-1970 ንገለ ኣብዚ ዘይተጠቕሱ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ድሕሪ ምዕጋብ፡ ንጉጀለ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ሃንደበት ዝኾነን ብውሳነታቱ ንኽምእዛዝ ዘገድደን ኣኸባ መሪሕነት ኣብ ሜዳ ከካይድ ነይሩዎ። ኣድላዪ እንተድኣ ኮይኑ እውን ኣንጻሮም ስጉምቲታት ክውስድ ነይርዎ። ብኸምዚ ከኣ እቲ ኣዋጅ ይጸድቅን፡ ካልእ ኣዋጅ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነትን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጹ ኣባላት ዝፍርሙሉ ብስም ሰራዊት ካብቲ ኣኸባ ይወጽእ።"***

ንናይ ወጻኢ ስራሕ ኣመልኪቱ እቲ ደብዳበ፣

***"ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ድሕሪ ምስምማዕን ኣብ ምቛም'ቲ ዝተገልጸ ባይቶ ምስ ተበጽሐን ድማ ኣዋጅ ይሕተም። ዑስማን ዓጅብ ንኽርከቦ ሓደ ቅዳሕ ካብኡ ናብ ካርቱም ይለኣኽ። እንተ ነወሐ ንዕለት*** 20-11-1970 ***ኽርከቦ ተወሲኑ። ዑስማን ዓጂብ ኣብ ኢምባሲታትን ኣብ ሱዳን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብን ክዝርግሖ፡ ገለ ካብኡ ድማ ናብ ሜዳ ክልእኽ ኢዩ ተመዚዙ።"*** ይብል።

እምበኣርከስ ኣብ ውሳነታት ከሰላ ዘሎና ትዕዝብቲታት ከነቕርብ።

- ኣኸባ ከሰላ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ትሕቲ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብምግባሩ፡ ከምኡውን ንውድቡ ኣፍሪሱ ንሓይሉ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ጠቅላሊ መሪሕነት ንኽገብሮን ንፋይናንሳውን ወተሃደራውን ትሕዝቶኡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ንክኸውን ብምጥላቡን ንተራኡ ንብግብሪ ኣንኢሱዎ ወይ'ውን ሰሪዝዎ ክበሃል ይከኣል።
- ኣኸባ፡ ንጠቅላሊ መሪሕነት ካብ ውሳነታት ጉባኤ ኣዱብሓ ተኣልዩ ብምባል ኮኒኑዎ ኢዩ። ንሱ ንባዕሉ ማእከላይ መሪሕነት ዝብል ብምቛሙ ካብ ውሳነታት ኣደብሓ ወጺኡ ከም ዘሎ ግን ረሲዑዎ ኢዩ። ሰለዚ ንካልኦት ዘየፍቐዶስ ከመይ ገይሩ ኢዩ ንነብሱ ዘፍቐዶ?
- እቲ ዘገርም ድማ ኣኸባ ነቲ ዕማም ከም ንእሽቶ ጉዳይ ብምውሳድ ንዝብዝሑ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ብሓይሊ ንምምብርካኽ ዝዓለመ ሓደገኛ ውሳነ ምሕላፉ ኢዩ። ጠቅላሊ መሪሕነት ክቅጽል ዝኽእል ንስጉምቲታቶም እንተ ድኣ ተቐቢሉ ጥራይ ምኻኑ፡ እንተ ድኣ ዘይተቐቢሉዎ ግን ሕጋውነት ከም

ዘይህልዎ ምግላጾም ነዚ ዝበልናዮ ዘረጋግጽ ኢዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ኣኸባ ነቲ ኣሰገዳዲ ውሳነኡ ክትግብር ከሎ ወተሃድራዊ ግጭት ከጋጥም ከምዝኽእል ዘይምስግኡ ኢዩ። ከምዚ ዓይነት መርገጺ ብዘይካ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ዥናት ምእዋጅ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ዝኽእል ኣይኮነን።

እቲ ውሳነታት እንታይ ኣጋጢሙዎ? ሰለምንታይ ከ ግብራዊ ዘይኮነ? ብድሕሪኡ ዝቐጸለ ኩነታት "**ያቦል**" ከ ከመይ ነይሩ?

ሕጂ ክንዘረበሉ ዝግባእ ካልእ ፍጻሜታት ምእንቲ ከይንሰግሮ፡ መልሲ ናይዚ ሕቶታት'ዚ ንካልእ ኣርእስቲ ክንውንዝፎ ኢና።

# 8. *ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት* (*ሓምለ* 1970)

ጻዕሪታት ዑስማን ሳልሕ ሳበን ናይ ውሽጢ ተቓወምቲን ኣብ "**ሶዶሓዒላ-ደንካልያ**" ካብ 24/6 ክሳብ 2/7/1970 ጉባኤ ብምክያድ ተዛዚሙ። ኣብቲ ጉባኤ ከኣ ህዝብዊ ሓይልታት ሓርነት - ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰመየ ሓድሽ ውድብ ተመስሪቱ። ትሽዓተ[146] ኣባላት ዘለዎ መሪሕነት ውድብ ድማ ቆይሙ። እቲ ጉባኤ ገለ ካብቲ ትሕዝትኡ ብዛዕባ ጠንቂ ምፍንጫልን ፕሮግራም ናይቲ ውድብን ዝገለጽ ኣዋጅ ድማ ተዘርጊሑ።

ብዛዕባ ጉባኤ "**ሶዶሓዒላ**" ኣብ ሓሙሽተ መሰረታውያን ጉዳይት ኣትኩርና ክንዛረብ ኢና። ንሳተን ድማ፡ እቲ ውድብ ዝኣውጆ ፕሮግራም፡ ኣብ መድረኽ ምምስራቱ ነቲ ውድብ ዘቆሙ ሓይልታት፡ ጠንቂ ምፍንጫልን ኣብቲ ተመኩሮ ዝነበሮ ፖለቲካዊ ገምጋምን፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ መርገጺ ናይቲ ውድብ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ምስ ተ.ሓ.ኤ ኢየን።

**ጉባኤ ዘጽደቆ ፕሮግራም እንታይ ነይሩ?**

እቲ ዝቆመ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝምርሓሉ ፕሮግራም ኢሉ ዝኣወጆ፡ በዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ነጥብታት ክግለጽ ይከኣል።

"1. **ኣብ ኩሉ ሰውራዊ ሰራሕትን ኣብ ግቡኣትን መሰላትን መዓርነት ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ምርግጋጽ።**
2. **ሓደ ወገን ብሃይማኖታዊ ወይ ቐቢላዊ መሰረት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዕብለላ ምእንቲ ከይገብር ኣብ መንጎ መሳርዕ ተጋደልቲ ሚዛን ምሕላው።**
3. **ብስሩዕ መገዲ ውድብ ኣተሓሳስባ ኤርትራዊ ዜጋ ምምዕባል፡ ነዚ ዕማም'ዚ ዝትግብር ብቑዕ ናይ ጎስጓስ ክፍሊ ምቛም።**
4. **ኣብ ዓይነት ናይቲ ንተጋደላይ ኣብ ኣሃዱኡ፡ ንዜጋታት ድማ ኣብ ስርዒታውያን ዋህዮታት ዝወሃብ ኣሰተምህሮ ምትኳር።**
5. **ጉዳይ ሰውራ ኤርትራ ብሃይማኖታዊ ኣገባብ ምልዓል ወይ ምቕራብ ፍጹም ኩልኩል ይኸውን። ንኹሉ ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፋት ምምካት።**
6. **ኩሉ ጉዳያት ሰውራ ብክልቲኡ ቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን ይዝረበሉ።**

---

[146] ንሳቶም ከኣ፡ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ (መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ዝነበረ)፡ መስፍን ሓጎስ፡ መሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡጥያራ)፡ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡ መሓመድ ዑስማን ኣሕመድ፡ መዓሾ እምባየ፡ መሓሪ ደበሳይ፡ ዓሊ ዑስማንን፡ ዑመር ዳመርን ኢዮም።

7. ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ምጉጅጃል ምምካት።
8. ወግዒን ልምድታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ምምዕባልን ምምሕያሽን፡ ካብ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ብእትወጽእ ኮሚተ ኣቢልካ ድማ ምቹእ ሕጊታት ከም ዝሕገግ ምግባር።
9. ምስ ኩሎም ማሕበራዊ ቀጸላታት ኤርትራ ውልቀሰባት ይኹን ጉጅለታት ዝህልወና ዝምድና ኣብ መትከል ሃገራዊ ሓድነት ዝተሰረተ ይኸውን።"

ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት፡ ጉባኤ "እዚ ሕጂ ዘሎ ውድባ ዕጥቃዊ ስራሕ ኣብ ምቁጽጻር ስለዝፈሸለ ብመሰረት ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝውስኖ ንሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ዝመርሕ ሓቀኛ ሰውራዊ ውድብ ንምፍጣር ምጽዓር" ወሲኑ።

እዚ ፕሮግራም'ዚ ዝወጸሉ የለን። ምስ ኩሉ ምቅሉልነቱ ከኣ ብዘይ ጥርጥር ሃገራዊ ፕሮግራም ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብዚ ፕሮግራ'ዚ ሓደ ንትዕዝብተኻ ዝስሕብ፡ ቐዳሞት መሰረቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ክሳብ ክንድይ ካብ ተመኩሮ ጉባኤ ኣዱብሓ ስግኣታት ከም ዝነበሮምን ክሳብ'ቲ ምስ ኣዱብሓ ብምንጽጻር ርሑቕ ጅኦግራፌያዊ ከባቢ ዝኾነ "ሶዱሓዒላ" ከምዘይገደፎምን ኢዩ። እዚ ከኣ በቲ ኣብ ቁጽሪ (2) ሓደ ወገን ብሃይማኖታዊ ወይ ቀቢላዊ መሰረት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዕብለላ ምእንቲ ከይገብር ኣብ መንጎ መሳርዕ ተጋደልቲ ሚዛን ምሕላው ዝብል ሓሳብ ይንጸረልካ። ንምኳኑ ኣብ ሓደ ኣባላቱ ብውልቃዊ ምርጫኦም ዝሰለፍዎ ሰውራ እቲ ሚዛን ብኸመይ ኢዩ ክሕሎ? በዚ ኣረዳድኣ'ዚ ከ ኣብ ባይታ ብኸመይ ኢኻ ትሰርሕ? ብሓቂ ከ ተሰሪሕሉዶ? ከምቲ ኣብ ኣዱብሓ ዝተራእየ ከም ብሓድሽ ናብ ውሑዳት ናይ ምምላስ ስግኣታት ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ ንከምዚ ዝኣመሰለ መረገጺ ምኽኑይ ዝገብሮ የለን።

**ነቲ ውድብ ዘቆሙ ሓይልታተ መን ኢዮም?**

- **ሓይሊ ራብዓይቲ ክፍሊ፡** ኣሃዱታት ራብዓይቲ ክፍሊ በቲ ኣብ ውሽጢ ካልኦት ክፍልታት ዝተራእየ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓሳት ብዙሕ ዝተጸልዋ ኣይነበራን፡ ተጋደልተን እውን ብሰፊሑ ኣብኡ ተጸንቢሮም ኣይነበሩን። ካብተን ዝተቀራረባን ዝተኣታተዋን ዝነበራ ካልኦት ክፍልታት ብመጠኑ ርሒቃ ብምንባራ ንከምኡ ሓጊዙዋ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ እውን መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ናይ ተቓውም ኣተሓሳስባታት ኣብ ውሽጢ እታ ክፍሊ ንኸይኣቱ ኣዝዩ ጥንቁቕ ኢዩ ነይሩ። እንተ ድኣ ናይ ተቓውሞ ኣተሓሳስባታት ብገለ ባእታታት፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ካልኦት ከባቢታት ዝኾኑ ምስ ዝርኣ ድማ፡ ብቐጥታ ከብቲ ክፍሊ ይሶጎም ነይሩ። እቶም ዝተሰጉ ከኣ ናብ ካልኦት ክፍልታት ከም ካልኣይቲን ቀዳመይቲን ክፍልታት ይጽንበሩ ነይሮም።

ኣብ 1968 ዝነበረ ኩነታት ራብዓይቲ ክፍሊ ምስ ኩነታት ቀዳመይቲ ክፍሊ እንተድኣ ኣነጻጺርናዮ፡ ቀዳመይቲ ክፍሊ በቲ ጠቕላላ ጉባኤ ዝጽውዕ ንመራሕቲ ሰውራ ዝቓወም ክሳብ ቀንዲ ባእታታት ካብ መሪሕነት ዝተሳተፍዎ ከም ናይ ምንቅስቓስ እሰላሕን ሽማግለ ተጋደልትን ክትጽሎ ከላ፡ ኣብ ውሽጢ ራብዓይቲ ክፍሊ ግን ዋላ ሓደ ናይ ተቓውም ድምጺ ኣይነበረን።

ልክዕ'ዩ ኣብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ንተጋደልቲ ዘቆጥዐ ካልእ ረቛሒታት ነይሩ ኢዩ። ሓደ ካብኡ መሪሕነት ክፍሊ ዝፈጸሞ ጌጋታት ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዙሕ ዝተዘርበሉ ጌጋታት መጠኑ ይፈላላ እምበር ዝኾነ ክፍሊ ካብኡ ናጻ ኣይነበረን። እቲ እዋን'ቲ ፍሽለት ናይ ሰለስቲኡ መሪሕነታዊ ደረጃታት ተ.ሓ.ኤ ብሩህ ዝኾነሉ እዋን ኢዩ። ነቲ ምንቅስቓሳት፡ ዋላ እቲ ወገናዊ መልክዕ ዝወሰደ

ከይተረፈ ዝደረኽ ንሱ ኢዩ። መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ድማ ከም ሓደ ኣካል ካብ ሰለስቲኡ መሪሕነታዊ ደረጃታት ተ.ሓ.ኤ መጠን እቲ ፍሽለት ይትንክፎ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዘጋጠመ ተቓውሞታት ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ናይቲ ክፍሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ጽልዋታቱ ሰለዝተዘርግሐ ንያታዊ (ቀቢላዊ፡ እንዳዊ) ዝምድናታት ተንኪፉዎ ኢዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ምርጫታት ድማ ክሳብ ናብ ውሽጢ ስድራቤትን እንዳን ዘንጸባረቐ ፍልልያት ኣኸቲሉ። ሓደ ካብቲ ንወገናዊ ምርጫ የበል ዘፍሸለ ምኽንያት ከኣ ከምቲ ኣብ ዝቅጽል እንርእዮ ንሱ ኢዩ ነይሩ።

እንተ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ንተቓውሞ ዘድረኽ ፖለቲካዊ ምኽንያታት እኳ እንተ ዘይተሳእነ ንጉዕዞ ሰውራ ቅኑዕ ኣንፈት ንምትሓዝ ኣብ ዝተካየደ ቃልስታት ተጋደልቱ ዘርኣይዎ ተቓውሞ ወይ ዘቕረብዎ ጠለባት ዝጥቐስ ነገር ኣይነበረን። ብርእይቶና ድማ እዚ ሓደ ካብቲ ወገናዊ መንፈስ ኣብ ውሽጢ ካድራታ ንኽዕቀብን ንኽቅጽልን ካብ ዝሓገዝ ሮቓሒታት ኢዩ ነይሩ።

መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት ኣብ ጉባኤ ኣዱብሓ ዓቢ ክሳራ ምስ ኣጋጠሞን ካብ ውሽጢ ጉባኤ ተቓውሞ ምስ ኣበገሰን፡ ተቓውሞኡ ኣብ ውሽጢ ካድራት ናይቲ ክፍሊ ስማዒ ረኺቡ ኢዩ። ክሳብ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ከይተረፉ ኣብቲ መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝሰደዶን ተቓውሞኡ ንመሪሕነት ዝኣወጀሉን መልእኽቲ ፈሪሞም ኢዮም። ከምቲ ዓብደልቃድር ሓምዳን ዝበሎ ከኣ ትማሊ ኣባልነት ጠቅላሊ መሪሕነት ተቐቢልካ ሎሚ ከም ዝፈሸለት ምእዋጅ ኣይሰከፎምን።

ሰለዚ እቲ ወገናዊ ምትእስሳር ንምርጫ ምፍንጫል ኣብ ምዕዋት ኣድማዒ ረቛሒ ነይሩ። እዚ ረቛሒ'ዚ ንኽህሉን ንኽቅጽልን ድማ መሪሕነት ናይታ ክፍሊ መሰረታዊ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ።

- **ጉጅለ ደቂ ከበሳ፡** ብመሰረት ንሽግር ተሳትፎ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ኣብ ወተሃደራዊ ክንፊ ተ.ሓ.ኤ ዝገለጽናዮ ናይቶም ናይ ጽንዓት መንፈስ ተቐኒቶም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝተረፉ ሞራላዊ ኩነታቶም ከምይ ከምዝነበረ ክንግምት ንክእል ኢና።

ነዚ ወገን'ዚ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዘጋጥሞ ዝነበረ ጸገማትን ብወገን መሪሕነት ዝውሰድ ዝነበረ ስጉምቲታትን ከምቲ ኩሉ ካልእ ጉዳይት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ንክትዕን ሓሳባት ተጋደልቲ ንምስማርን ይቐርብ ኣይነበረን። ሰለዚ ከኣ እቶም ኣብ ምትሕልላኽ ናይቲ ሽግር ረብሓ ዘይነበሮም ተጋደልቲ ንባዕሎም ኣብ መግለጺታት መሪሕነት ዝኣምኑን ዝይኣምኑን ብምኽን ይከፋፈሉ ነይሮም። ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝተረፉ መብዛሕትኦም ደቂ ከበሳ ንመግለጺታት መሪሕነት ዘይኣምኑ ብዘይ ዕቃበ ናይቲ ኩሉ ዝተፈጸመ ጌጋታት ንመሪሕነት ኢዮም ዘስክምዎ ዝነበሩ። ልክዕ'ዩ ዝመጽእ ሽግር ብዘየገድስ ኣብ ቃልሲ ናይ ምቅጻል ዘለዎም ድሌት ኣረጋጊጾም ኢዮም። ይኹን'ምበር ብውሽጦም እቲ ኩነታት ከም ዘለዎ እንተ ድኣ ቀጺሉ ብዘይካ ተ.ሓ.ኤ. ካልእ መተካእታ ይመርጹ ነይሮም ጥራይ ዘይኮነ፡ መተካእታ ይደልዩ ነይሮም ኢዮም።

ኣብዚ ዘይርጉእ ኩነታት'ዚ እንከለው፡ ምልክታት ናይ ምፍንጫል ምስ ተራኣየ፡ ካብዚ ንላዕሊ ድማ ምስቲ ናይ ምፍንጫል ምንቅስቓስ፡ መቅተልቲ ወልዳይ ግደን ኪዳነ ክፍሉን ኣብ ከሰላ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1970 ምስ ኣጋጠመ ኣብ ኣእምሮኦም ናይ ምፍንጫል ምርጫ ዝያዳ ዓዚዙ። ምስ ኩሉ'ቲ ኣብ ልዕሊ ዑስማን ዝነበሮም

ብርቱዕ ዕቃበታት ድማ ካብቲ ዝነበርዎ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል'ዩ ብዝብል ተስፋ ናብኡ ዘንቢሎም።

መብዛሕትኦም ኣብ ራብዓይቲ ክፍሊ ዘይነበሩ ኢዮም። ብዛዕባ መሪሕነት ናይታ ክፍሊን ውሽጣዊ ዝምድናታታን እውን ብዙሕ ዝፈልጥዎ ኣይነበረን። ካብቲ ዝኣተውዎ ሓድሽ ኪዳን ንላዕሊ ብዙሕ ዝፈልጥዎ ነተን ኣብኣን ዝነበሩ ካልኦት ክፍልታት ኢየን ነይረን። ካብኣታቶም ኣብቲ ናይ ምፍንጫል ግዜ ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ድማ ናብኣታቶም ብምጽንባር ኣብ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ተሳቲፎም። ሰለስተ ካብኣታቶም ኣብቲ መሪሕነት ተመሪጾም።

እቶም ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኣብ መጋቢት 1970 ተፈልዩ ዝነበረ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተጸንቢሮም።

ብኸምዚ ድማ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ ዓመት'ቲ ብዘይካ ውሑዳት ተጋደልቲ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ዘይብላ ኮነት። ዳርጋ ነዚ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾነ ክፍሊ'ዚ ዘይምችእቲ ድማ መሰለት።

ኣብዚ ንስንሰለታዊ ታሪኽ ፍጻሜታት ቁሩብ ሰጊርና ኣገዳሲ ነጥቢ ክንጠቕስ ንፈቱ። ንሱ ድማ፡ እቶም ኣብ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ "ሶዶሓዲላ" ዝተሳተፉ ጉጅለ ደቂ ከበሳ እቲ ሓድሽ ውድብ እቲ ዝሓለምዎ መተካእታ ክኸናም ኣይካኣለን። ሰለዚ ከኣ ካብቲ ውድብ እንዳወጹ ገሊኦም ናብቲ ብመሪሕነት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተፈንጨለ ጉጅለ ክጽንበሩ ከለው፡ ገለ ካብኣቶም ድማ ናብ ጸላኢ ኢዶም ሂቦም። ብኸምዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንህዝባዊ ሓይልታት እውን ጠንጢኖም። እቲ ዘገርም ድማ እቶም ኣብ "ሶዶሓዲላ" ዝተመርጹ ኣባላት መሪሕነት ንባዕሎም ኣባላነቶም ኣብ መሪሕነት ከየገደሶም ነዚ ዝተጠቕሰ ምርጫ ብምውሳድ ናብ ኢሳይያስ ምጽንባሮም ኢዩ።[147]

- **ጉጅለ ኣቡጥያራ፡** ኣቡጥያራ ካብቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ባእታታት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ልዕሊ ኩሉ ከምዝተበደለ ዝስምዖ ዝነበረ ኢዩ። እዚ በደል'ዚ ክስምዖ ዝጀመረ ድማ ካብ መጀመርታ ዓመታት ናይቲ ሰውራ ኢዩ። ካብ ወተሃደራዊ መሪሕነት ምሕራሙን፡ ንሱ እንከሎ ማሕሙድ ዲናይ ምምራጹን፡ ወተሃደራዊ ስልጠና ንምውሳድ ብዝብል ምኽንያት ናብ ሶርያ ከም ዝኸይድ ምግባሩን ገለ ካብቲ ኣብ ነፍሱ ብርቱዕ ምረት ዝገደፈሉ ፍጻሜታት ኢዩ። ይኹን'ምበር ልዕሊ ኩሉ ዘቖጥዖ፡ ክፍልታት ምስ ቆመ ንሱ እንከሎ ዑመር ሓምድ እዛዝ መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ኮይኑ ምምራጹ ኢዩ። ንሱ ካብኡ ንላዕሊ እቲ መዚ ከምዝግብኦ ጽኑዕ እምነት ነይሩዎ።

እዚ ተኻታታሊ "**ማህረምትታት**" ድማ ንኣቡጥያራ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ እንከሎ ናይ ተነጽሎ ስምዒት ኣሕዲርሉ። ብኣካል ኣብ ውሽጣ እንከሎ ብስምዒት ግን ሩሕቕ ኢዩ ነይሩ፡ ሓደ ካብ ወተሃደራዊ መራሕትን መሰረትን ከነሱ ድማ ኩሉ ግዜ ዕላማ ከምዝኾነ ይስምዖ ነይሩ።

ሓደ ካብ ክፍሊ ሕብረተሰብን መሪሕ ተራ ኣብ ቃልሲ ዝነበሮን ከም ምኳኑ መጠን ድማ፡ ከም ኩሎም መራሕቲ ናይቲ እዋን'ቲ ካብ ናቱ ወገን ዝድግፍዎ ኣይሰኣነን። ሰለዚ ከኣ ኣብቲ ንሱ ዝምርሖ ዝነበረ ሓጋዚ ጋንታ ወተሃደራዊ መሰረት ፈጢሩ፡ ከምኡውን ኣብ ዝተወልደሉ ከባብን ኣብ ሱዳንን በቲ ዝወረዶ በደልን ምርሳዕን ከምቲ ንዕኡ ዝስምዖ ዝስምዖም ደገፍቲ ኣጥርዩ ኢዩ።

[147] ንሳቶም ከኣ፡ መስፍን ሓጎስ፡ መሓሪ ደበሳይን መዓሾ እምባየን ኢዮም።

ኣቡጥያራ፡ በቲ ዝነበሮ ክውንነት ምስ መራሕቲ ክፍልታት ቀዳመይቲ፡ ካልኣይቲ፡ ሳልሰይቲን ራብዓይትን ብቀጻሊ ኣብ ግርጭት ኢዩ ዝነብር ነይሩ። ኣብ ሽድሻይ ምዕራፍ መራሕቲ ሳልሰይቲን ራብዓይትን ክፍልታት ምስኣታቶም ብዘይ ምትሕግጋዙ ጥርዓን ኣቕሪቦም ምንባሮም ጠቒስና ኔርና። ይኹን'ምበር ዝበዝሐ ፍልልያቱን ግርጭታቱን ምስ ቀንዲ ተጻራሪኡ መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ኢዩ ነይሩ። እዚ ፍልልያት'ዚ ከኣ ኣብ 1968 ንገለ ኣብ ትሕቲ ካልኣይቲ ክፍሊ ዝነበረ ከባቢታት ማርያ ወርሓዊ ውጽኢት ንካልኣይቲ ክፍሊ ከይከፍሉን ኣብ ክንድኡ ነታ ንሱ ዝመርሓ ተሓጋጋዚት ጋንታ ክኽፍሉ ከም ዘለዎምን ኣእሚንዎም ነይሩ ኢዩ።

ሰለዚ ድማ ኣቡጥያራ በቲ ዝነበሮ ኩነታት ንምፍንጫል ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ድልው ኢዩ ነይሩ። ዓቕሚ እንተ ዝነበሮ ነይሩ እውን ባዕሉ ንኽመርሓ ኣይምተወለወለን። ምስ ኣባላት ጋንታኡ ድማ ነዚ ምርጫ'ዚ ወሲዱ።

እንተኾነ ግን ኣቡጥያራ ነቲ ዝተመነዮ መተካእታ ኣብቲ ውድብ ኣይረኸቦን። ሰለዚ ድማ ሓንሳብ ከርሕቕ ሓንሳብ ድማ ክቕርብ ክሳብ ኣብ 1976 ፍጹም ዝፍንጫል ኣብቲ ውድብ ቀጻሊ ሻቕሎት ይፈጥር ነይሩ።

ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ እዋን ምምስራቱ ዘቆሙ ሰለስተ ቀንዲ ሓይልታት እዚኣቶም ኢዮም ነይሮም። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ግን ብዘይካ ንጠቕላሊ መሪሕነት ምቁዋም፡ ኣብ መንጎኦም ድልዱል ምትእስሳር ዘይነበሮም ኢዮም።

እዚ ክንብል ከሎና ግን ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓድሽ ውድብ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝተሰለፉ ውልቀ ሰባት ኣይነበሩን ማለት ኣይኮነን።

**ኣዋጅ ሶዶሓዒላ ንምፍንጫል ዘቕረቦ ምኽንያታት እንታይ ነይሩ?**

ኣዋጅ "ሶዶሓዒላ" ንኩሉ ጠንቂ ምፍንጫል ናብ ጌጋታትን ተግባራትን ጠቕላሊ መሪሕነት ኢዩ ኣሰኪሙዎ። ነቲ ጌጋታትን ተግባራትን ድማ ኣብ ክልተ ነጥቢታት፡ ቀዳማይ "ስርሒታት ግብረሽበራ" ካልኣይ ድማ "ምግሃስ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዱብሓ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ ኣቕሪቡዎ።

ኣብቲ ገበናዊ ባህሪ ዝነበሮ ቀዳማይ ነጥቢ፡ ብዛዕባ ምእሳር ሽድሽተ ኣባላት መሪሕነት፡ ምጭዋይ ዓሊ ሙሓመድ ስዒድ ብርሓቱ ብ6-2-1970 ካብ ከሰላ፡ ፈተነ ቕትለት ሙሓመድ ዑስማን ኣሕመድ ዝተባህለ ሰብ፡ ከምኡውን ክልተ ተጋደልቲ ኢብራሂም ሙሓመድ ኣብርሃን ተስፋይን ብ23-11-1969 ምጭዋይን ምቕታልን፡ ቕትለት ኪዳነ ክፍሉን ወልዳይ ግደን ብ5-3-1970 ኣብ ከሰላ ይጠቕስ።

እንተ'ቲ ብምልኡ እነቕርቦ ፖለቲካዊ ባህሪ ዝነበሮ ካልኣይ ነጥቢ፡ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ነይሩዎ።

"1. **ምፍራስ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ሃገራዊ ጉባኤን ኣባላታ ናብ ካልእ ዕማም ምምዳብ።**
1. **ጉባኤ ዘቆማ መርማሪት ኮሚተ ምፍራስ።**
2. **ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽቅጽል ጉባኤ ዘጽደቆ ላዕለዋይ ባይቶ ምፍራስ።**
3. **ንነብሱ ከም ቀዋሚ መሪሕነት ምቁጻርን ኣብ ጉዳያት ፖለቲካዊ ኣብያት ጽሕፈት ወጻኢ ምትእትታው።**
4. **ምስቶም ዝፈረሱ ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ኣብ ከሰላ ምዝማዱን ንገለ ካብኣቶም ኣብ ተኣፋፊ መሪሕነታዊ ቦታታት ኣብ ሜዳ ምምዳቡ።**
5. **ነቲ ክፍልታት ዝፈጠርኦ ኣብ ሰራዊ፡ ኣኮለጉዛይን ሓማሴንን ዝጸነሐ ሽግራት ምትሕልላኹ።"**

ኣስዒቡ እቲ ኣዋጅ ነዚ ፍጻሜታት'ዚ ድሕሪ ምዝርዛሩ፡ "**በዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሰውራ ኤርትራ ዝሕልፎ ዘሎ ሽግራት በሪሁልና። ኣድላዪን ተባዕን ሰውራዊ**

*ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ እንተ ድኣ ዘይተቀለጢፍና እውን እናኸፍአ ከም ዝኸይድ ተረጋጊጹልና" ይብል።*

*ብዛዕባ'ቲ ኣብ ክልተ ኣርእስቲታት ዝቐረበ ነጥቢታት ሓጺር ትዕዝብቲታት ኣሎና።*

- *ቀዳማይ ነጥቢ፡ **ስርሒታት ግብራሽበራ***

*ምእሳር ናይቶም ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ብመጠኑ ኣቐዲሙ ኣብ* (19-12-1969 *ክሳብ'ውን* 25-1-1970) *ሰለዝተፈጸመ ምናልባት ንምፍንጫል ሓያል ድርኺት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ገበን ይሃልዎም ኣይሃልዎም ናታቶም ምእሳር ንመራሕቲ ራብዓይቲ ክፍሊ ዕላማ ጌርዎ ኢዩ፡ እንተዋሓደ ከኣ ብከምኡ ተተርጊሙ ኢዩ። እቲ ዝተጠቕሰ ምጭዋይን ምቅታልን ኢብራሂምን ተስፋይን ተፈጺሙ እንተ ድኣ ኮይኑ ከመይ ኢሉ'ዩ ንምፍንጫል ምኽንያት ኮይኑ ኣይርድኣናን። እንተ'ቲ ካልእን ሓደገኛን ፍጻሚታት ከም ቅትለት ወልዳይ ግደን ኪዳነ ክፍሉን ብ*5 *መጋቢት* 1970፡ *ምጭዋይ ዓሊ ብርሓቱ* 6 *ለካቲት* 1970 *ንምፍንጫል ምኽንያት ከምዘይነበረ እቲ ዕለታት ንባዕሉ ዘረጋግጾ ኢዩ። ክልቲኡ ፍጻሜታት ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን፡ እተን ካብ ሱዳን ንዓደን ተጋደልቲ ዘገዓዛ ዝነበራ ነፈርቲ ተዳልየን ነይረን።*

- *ካልኣይ ነጥቢ፡ **ምግሃስ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ፡***

*ኣብቲ ዝቐረበ ክሲታት ገለ ብመጠኑ ሓቂነት ዘለዎ፡ ገለ ድማ ዝተጋነነ ክልተ ነጥቢታት ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ጉባኤን መርማሪት ኮሚተን ዝምልከታ ቐዳመይትን ካልኣይትን ነጥቢታት ኢየን። እቲ ገለ ሓቂነት ዝበልናዮ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ጉባኤ ድሕሪ ምፍጻሙ ብቐጥታ እተን ኮሚተታት ሰርሓን ክጅምራ ዘይምውሳኑ ኢዩ። ጉባኤኛታት "**ሶዶሓዲላ**" ነዚ ድዮም ዝጽበዩ ነይሮም ግን ንፈልጦ ነገር የለን። እንተ'ቲ ዝተጋነነ ዝበልናዮ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።*

- *ኣገዳስነት ምዕዋት ናይቲ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ዝምርኮሰሉን ክሳብ መጋቢት* 1970 *ዝቐጸለን ምትሕንፋጽ ሰራዊት ምዝንግዖም። ብዝኾነ ግን፡ ጉባኤ ኣዶብሓ ንገዛእ ርእሱ እዚ ሓቂ'ዚ ብምርዳእ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ንኣሰናዳኢት ኮሚተ ኣብቲ "**ምቹእ ግዜ**" ዘበሎ ከበግሶ ኢዩ ወሲኑ ነይሩ።*
- *እቶም ንመሪሕነት ዘይእሙንን ውዲታውን ብምባል ካብ ውሽጢ ጉባኤ ተቓውምኦም ዘበገሱ ተቓወምቲ መሪሕነት ኣብቲ ዝኸስዎ ዘለው ጉዳያት ዕቱብን ሓቀኛን ድዩ ኣይኮነን ንምፍራዱ ዘኽእሎም ግዜ ዘይምሃቦም።*

*እንተ'ቲ ኣብ ሓማሴን፡ ኣኮለጉዛይን ሰራየን ጉዳያት ሓላፊኾም ክብሉ ኣብ ቁጽሪ ሽዱሽተ ጠቂሶምዎ ዘለው ሓቂ'ዩ ኢልካ ክትፈርዶ ኣጸጋሚ ኢዩ። ካብቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተመርጸሉ ዕለት ክሳብ'ታ ቀዳማይ ሰብ ካብ ሱዳን ንዓደን ክኸይድ ዝተወደበላ ዕለት ኣብዚ ከባቢታት'ዚ ዘጋጠመ ፍሉይ ምዕባለታት የለን። ብዝኾነ እዚ ክሲ'ዚ ሓፈሻዊ ሰለዝኾነ በቶም በሃልቱ መርትዖን መረጋገጺን ዝሓትት ኢዩ። ይኹን'ምበር ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ሽግር "**ጸንዓ ደግለን**" "**ጦሮዓን**" ምዕባለታት ተራኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ጠንቂታት ድማ ገለ ባእታታት ካብ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ "**ንጦሮዓ**" ብረት ምሃቦም ኢዩ። ብዝኾነ ግን እዚ ሽግር'ዚ ካብ ግዜ ጥልያን ዝጀመረ ታሪኻዊ ሽግር ከም ምኳኑ መጠን ዝተፈላለዩ ወገናት ከም ኢትዮጵያን ናይ ሰውራ ወገንን ኢዶም ሰለዘእተውሉ ንጠቅላሊ መሪሕነት ንበይኑ ሓለፍነት ከተሰክሞን ነቶም ምስዚ ሽግር'ዚ ምትእስሳር ዘለዎም ካልኦት ወገናት ናጻ ክትገብሮምን ኣሸጋሪ ኢዩ።*

*እንተ ቁጽሪ* 3፡ 4፡ 5፡ *ብሙሉእ ኣብ ቅድሚ ሓቂ ውዱቅ ኢዩ። ናይ ምፍንጫል ጠንቂ ንሱ ከይከውን እውን ጥርጣረታት ኣሎና።*

- ኣብ ቁጽሪ (3) ተጠቒሱ ዘሎ ምፍራስ ላዕላዋይ ባይቶ ብዝምልከት እቲ ምኽንያታት ብዝርዝር ገሊጽናዮ ስለዝኾና ምድጋም ዘድልዩ ኣይኮነን።
- እንተ'ቲ ንነብሱ ከም ቀዋሚ መሪሕነት ቆጺሩ ዝብል ኣምር ምስ ጉዳይ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተኣሳሰር ኢዩ። ጠቕላሊ መሪሕነት ንላዕለዋይ ባይቶ ንኸፍርስ ምስ ተቐሰበ፡ ነፍሱ ከም ቀዋሚ መሪሕነት ገይሩ ተባሂሉ ምእንቲ ከይከስስ ኢዱ ኣጣሚሩ ክዕዘብ ኣይክእልን ነይሩ። ንነብሱ ከም ቀዋሚ መሪሕነት ቆጺሩ ዝብል ዘረባ ከ ብኸመይ ከረጋገጽ ይኽእል?
  ንነብሱ ከም ቀዋሚ መሪሕነት ገይሩ ከ እንታይ ማለት ኢዩ?
- ምስ ኣባላት ስውራዊ መሪሕነት ተዛሚዶም፡ ንገለ ካብኣቶም ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኣብ ተኣፋፊ ቦታታት መዲቦምዎም ዝብል ነጥቢ ድማ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ፍጹም ኣይተገብረን። እንተ'ቲ ኣብ ጉዳይ ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ ምትእትታው ገይሮም ዝብል ክሲ፡ ነዚ ኣብያተ ጽሕፈት'ዚ ንምድስካል ዝወጸ ውሳነ ጉባኤ ኣዱብሓ ኢዩ እቲ መልሲ።

ክሳብ ሕጂ እቶም ተቓወምቲ ዝወሰድዎ ናይ ምፍንጫል ስጉምቲ ቅቡል ዝገብሮ ጠንቂታት ከምዘየለ ክንገልጽ ዝጸናሕና ኢና ንመሰል። ጠንቂታት፡ እኳ ድኣ መሰረታዊ ጠንቂታት፡ ነይሩ ኢዩ። ይኹን'ምበር እቲ ጠንቂታት፡ እቲ ኣብቲ ኣዋጅ ዝተጠቕሰ ዘይኮነስ ካልእ ዘይተጠቕሰ ኢዩ።

ብናትና ግምት እቲ ቀንዲ ጠንቂ ከምቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ እቲ ንመሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ጉባኤ ኣዱብሓ ዝወረደ ፖለቲካዊ ክሳራ ኢዩ። እዚ ክሳራ'ዚ ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ወይ ወገናዊ ሓይሊ ድዩ ተፍጺሙ ብዘየገድስ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምስ እንጻባርቐን ብውሽጢ ድርኺት ምስ ረኸበን እቲ ከም መዓልቲ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ክቑጸር ዝካኣል ጉባኤ ዓማን መጺኡ።

ናይ ውሽጥን ወጻኢን ድሌታት ኣብ ጉባኤ ዓማን ሰሚሩ። ግን ከኣ ሓድሽ ርክብ ኣይኮነን። ኣብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ታሪኹ ዓሚቁ ሱር ዘለዎ ኢዩ። ብዝኾነ ግን ከምቲ ዝገለጽናዮ ኣብ ኩሉ ክፍልታትን ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢን ተዘርጊሑን ሰሪጹን ዝነበረ እምበር ፍሉይ ነገር ኣይኮነን። ምናልባት ነቲ ናይ ሽው ዝምድናታት፡ ምስጢራቱን ግዜ የቃልዖ ይኸውን።

ከምቲ ዝገለጽናዮ እቲ ፖለቲካዊ ስምምዕ ኣብ ምርግጋጽ ዝፈሸለ ጉባኤ ኣዱብሓ ንምፍንጫል ሓቀኛ ምኽንያት ዝፈጠረ ንሱ እምበር፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ዝገበሮ ኣይኮነን።

ልክዕ'ዩ እቲ ዝተዓወተ ወገን ጠቕላሊ መሪሕነት ንሽዱሽተ ካብ ኣባላቱ ሓደ ወገን ካብቲ ወገናዊ ኪዳናት ናይ ተ.ሓ.ኤ ምኺኖም ግምት ከይሃበ ምእሳሩ፡ ነቲ ኩነታት ኣጋዲዱዎ ኢዩ። ንጉዳይ ናይቶም ሽዱሽተ ኣብ ምፍታሕ ዝፈጸሞ ዓቢ ጌጋ ድማ ነቲ ንባዕሉ ውጽኢት ናቱ ዝኾነ ወገናዊ ኪዳናት ክኣምነሉ ዘይምኽኣሉ ኢዩ። ነቲ ንነብሶም ዘፍቐድዎ ድማ ንካልኦት ሓሪሞዎ። እቲ ወገን'ቲ ግን ሓደ ካብ ኣቓውማታት ናይ ሽው ዝነበረ ክውንነት ከም ምዃኑ ይርድኦ ስለዝነበረ ተራኡ ምስራዝ ተቐቢሉዎ፡ ንምእንቲ ህላውኡ ክከላኸል ወሲኑ፡ ተዓዊቱ ኸኣ።

## ጉባኤ ዝወሰዶ ፖለቲካዊ ገምጋማት እንታይ ነይሩ?

ኣዋጅ ጉባኤ "ሶዱሓዒላ" ንተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ገምጋም ኣይገበረሉን። ከም ደምዳሚ ኣዋጅ ብዝተኻእለ መጠን ሓጺር ክኸውን ስለዝነበሮ

ከምኡ ክገብር ከምዘይክእል ሩዱእ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ኣብ ውሽጡ ንኸትካታዓሉ ዝሕግዝ ገለ ፖለቲካዊ ገምጋማት ኣለዎ።

ኣዋጅ ጉባኤ "**ሶዱሓዲላ**" ንመራሕቲ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ምስ ውጥናት ክልተ እድሪሳት ኣብ ላዕላዋይ ባይቶ ብምትእስሳርም ሓያል መጥቃዕቲ ኣውሪዱሎም ኢዩ። ከምኡውን ንመሪሕነት ሳልሰይቲ ክፍሊ ብቡርቱዕ ነቒፍዎ። ኣብ ተጋደልቲ ሓምሸይቲ ክፍሊ፡ ኣብ ዶባት ካልኦት ክፍልታት ከይንቀሳቐሱ ብምኽልካሎምን መዓልታዊ ምስ ህዝቢ ብዘጋጥሞም ዝነበረ ግጭታት ጽንኩር ሂወት የሕልፉ ነይሮም ብምባል ምድንጋጽ ኣርእዩ።

እቲ ኣዋጅ፡ ጉባኤ ዓንሰባ ንባህጊታት ሓፋሽ ዘማልአን ነቶም ቀቢላዊ፡ ኣውራጃን ሃይማኖታውን ፍልልያት ብምቅጻሉ ጥራዩ ስልጣኖም ከም ዝቅጽል ዝረእዩ ተበለጽቲን ኣድሓርሓርቲን ባእታታት ዝበሎም ዓቢ ጽፍዒት ከምዝነበረን ምስ ገለጸ፡ ብዛዕባ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ኣመልኪቱ፡ "**ውሳነታት ጉባኤ ዓንሰባ ንምህራም ብዝተፈላለየ መገዲ ኣስናኖም ስሒሎም። ንኣብነት ገለ ካብኡ ንቀዳመይትን ካልኣይቲን ክፍልታት ኣብ ጉባኤ ከም ዘይሳተፉን ንልዕሊ ዓሰርተ ኣዋርሕ ካብ ክሊ ሓድነት ወጺኢ ከም ዝጸንሓን ገይሮም**" ይብል። ከምኡ'ውን ሰሉሳዊ ሓድነት ንምዕንቃፍ፡ ክልቲኣን ክፍልታት ብዛዕባ ዝፈጸምኦ ተግባራት ኣመልኪቱ፡ "**ነቶም ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ መሪሕነት ዝነበሩ ተጋደልቲ ብመገዲ'ታ ኣብ (ባርካ ላዕላይ) ዝነበረት ቀዳመይቲ ሓይሊ ኣቢሎም ብቀቢላዊ ኣገባብ ይሰሕብዎም ነይሮም። ከምኡውን ገለ ዝተታለሉ ባእታታት ብረታዊ ወጥሪ ይፈጥሩ ነይሮም**"[148] ክብል ገሊጹ። ቀጺሉ እቲ ኣዋጅ። "**ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ዘካየዶ ሓያል ተጽዕኖታት ግን፡ ነዞም ኣግለስቲ ባእታታት እዚኣቶም ኣብ ምቅላዕ ዓቢ ተራ ነይሩዎን፡ ኣብ ቅድሚ'ቶም ዝመርሕዎም ዝነበሩ ተጋደልቲ ከኣ ኣብ ድኩም ቦታ ከምዝኾኑ ገይርዎምን**" ኢሉ።

እቲ ኣዋጅ ንኩነታት ክፍልታት ኣብ ዝትንትነሉ ዝነበረ፡ ንኩነታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣመልኪቱ ከኣ፡ "**ሳልሰይቲ ክፍሊ እውን ብሰንኪ መራሕታ ኣብ ውልቃዊ ረብሓታቶም ብምሽቃሎም ኣብ ፈታኒ ኩነታት ኣትያ። ከም ውጽኢቱ ድማ ናይ ዝሞታን ስርቂን ስርሒታት ሰለዘስዓበ፡ እቶም ሓደ ካብ ሓለውቲ መደበራት ሰውራ ኤርትራ ዝነበሩ ህዝቢ ከበሳ፡ ብፍላይ ከኣ ክርስትያን ምስ ጸላኢ ደው ክብሉን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ብረት ክዓጥቁን ተቐሲቦም**" ክብል ሓቢሩ።

ትዕዝብቲታትና ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡

መራሕቲ ክልቲኣን ክፍልታት ከም ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ብጽልዋ ሓደ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ከም ዘይተሳተፉ ሩዱእ ኢዩ። ከምኡውን መሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ ብምስታፉን ብመሰረት ውሳነታት ዓረዳይብ ሓድነት ምቅባሉን ኣወንታዊ መርገጺ ከም ዝወሰደ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ብርእይቶና መራሕቲ ክልቲኣን ክፍልታት ኣብ ቃልሲ ንዝተጻወትዎ ተራን ናይ ቃልሲ ዝምድናታትን ኣብ ግምት ብዘይ ምእታው ኣንጻሮም ከም "**ኣግለስቲ ባእታታት**" ዝኣመሰለ ጸርፊታት ክጥቐሙ ግቡእ ኣይኮነን።

ኣዋጅ "**ሶዱሓዲላ**" ፡ ክርስትያን ህዝቢ ከበሳ ምስ ጸላኢ ደው ምባሎምን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ብረት ምዕጣቆምን ብሰንኪ ተግባራት መሪሕነት ሳልስይቲ ክፍሊ ጥራይ ኢዩ ምባሉ ዓቢ ጌጋ ኢዩ። ንኽትቅበሎ ዘኽኣለካ ምኽንያታት እውን የለን።

---

148 እዛ ዝተጠቀሰት ቀዳመይቲ ሓይሊ፡ ሓንቲ ካብ ኣሃዱታት ሳልሰይቲ ክፍሊ ኮይና፡ ንስሉሳዊ ሓድነት ከፊላዊ ሓድነት'ዩ ብዝብል ንምትሕንፋጽ ተጋደልትን ንስሉሳዊ ሓድነትን ዝነጸገት ኢያ። ንነብሳ ከም "ሻራ ዘይብላ ሓይሊ" ብምግላጽ ድማ ክሳብ ጉባኤ ኣዶብሓ ንበይና ጸኒሓ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ እቲ ዘዓበየ ድኽመት ናይቲ ኣዋጅ፡ ንካልኦት ክፍልታት ክጻረፍን ክሽሰስን ከሎ፡ ትም ብምባል ንመሪሕነት ራብዓይቲ ክፍሊ ናጻ ሰለዘውጽኦ፡ ኣብ መርገጺኡ ዘይሚዛናዊ ኣዋጅ ምዃኑ ይበርሃልካ።

ኣዋጅ "ሶዶሓዲላ" ኣብ ልዕሊ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ንዝነበሮም መርገጺ ኣመልኪቱ፡ **"ኣብቲ ሓደ ወገን፡ እቲ ሰውራ ካብ ዝጀምር ክሳብ ሎሚ ብዘይካ ውልቃዊ ተበግሶታት፡ እቲ ሰውራ ካብ ምክትታል ንነብሱ ነጻ ዝገበረ ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ክፍሊ፡ ኣብ ውልቃዊ ፍልልያትን ቁርቁሳትን ኢዩ ኣትዩ። ናቱ ጽልዋ ከኣ ናብ ሜዳ ኣንጸባሪቑ። ኣብ ከሰላ ዝነበረ ሰውራዊ መሪሕነት እውን ናይ መሰጋገሪ ተራ ብምጽዋት ነቲ ፍልልያት ካብን ናብን ሜዳ የሰጋግሮ ነይሩ"** ይብል እሞ፡ ቀጺሉ ከኣ፡ **"(ቸምበ ኤርትራ) እድሪስ ገላውዴዎስ ንሰውራዊ ምዕባለ ዝጻረሩን ስልጣኖም ንምዕቃብ ንድሑር ማሕበራዊ ክውንነት ከም ዝቅጽል ዝገብሩን ካብ ካርቱም ናብ ከሰላ ብምምጻእ ካብ 20 ንላዕሊ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ መሪሑ"** ይብል።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክልተ ትዕዝብቲታት ኣሎና።

- እምባኣርከስ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ብብሩህ ጸግዒ ናይ ሓደ ወገን ላዕላዋይ ባይቶ፡ ንሱ ከኣ ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከም ዝሓዘ ኣረጋጊጹ። ጉባኤ ኣዶብሓ ምስቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ባይቶ ዝወሰዶ ድኹም መርገጺ፡ ምስ ክልቲኦም ወገናት ምስ ኩሉ ሽግራቶም ብሓባር ንኽሰርሑ ምግዳፉ ሚዛናዊ መረገጺ ኢዩ ወሲዱ። እንተ ጉብኤ "ሶዶሓዲላ" ኣብ ሓደ ወገን ካብ ላዕለዋይ ባይቶ ክጽጋዕ ንካልኦት **"ዘይኣድላይቲ"** ክነጽግ ኢዩ ወሲኑ። እቲ ኣብቲ ኣዋጅ ዝቐረበ ውሱን ውልቃዊ ተበግሶታት እንተ ኮይኑ እውን ናይ ዑስማን ተበግሶታት ኢዩ። ብዝኾነ ግን እቲ ጉባኤ ዝወሰዶ መርገጺ ምስ ነብሱን ታሪኹን ዝሳነ ኢዩ ነይሩ።
- ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ከም ዝነበረ ንፈልጥ ኢና። ከም ዝዝከር እውን ኣብ ጉባኤ ዓማን ንዓርኩ ገላውዴዎስ ክሳብ ዘኣኽሎ ኣዎሪድዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ሰለዘይኣኸሎ ኣብ "ሶዶሓዲላ" እውን ኣብ ኣፍሪቃ ብጥልመት ሰውራ ዝፈለጥ ዝሸፍኣ ስም ቸምበ ናይ ኾንጎ መሪጽሉ። ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ንነፍሱ ከም ዝሓሸ መተካእታ ንሰውራ ካብ መረጸ እዚ መርገጺ እዚ ምስ ከምኡ ምርጫ ዝመዛዘን ኣይነበረን። ከምኡውን ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ነቲ ኣንጻሩ ዝቐርብ ዝነበረ ክስታት ብጾቱ ብምጽላም ክብዶሆ ከምዘይክእል እናፈለጠ ክነሱ ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸለመታት ምጥሓሉ ኣየጸብቀሉን ኢዩ።

መርገጺ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ኣብ ልዕሊ ውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ ብዝምልከት፡ እቲ ኣዋጅ፡ **"ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዶብሓን ውሳነታቱን ብዝምልከት፣ ብመሰረቱ ንድሌት ህዝቢ ኤርትራን ባህጊታቱን ዘረጋግጽ ዝኾነ ይኹን ሰውራዊ ውሳነ ስለ ዘይሕለፈ ጉብኤኛታት ካብኡ ነጻ ምኻኖም የረጋግጹ"** ይብል።

ጉባኤ ኣዶብሓ ንዝተዋህቦ መድረኻዊ ዕማም ኣብ ምዕዎት ኣይፈሸለን። ብሓቂ ድማ፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ መድረኽ ዝጠልቦ ሰውራዊ ውሳነታት ኣሕሊፉ ኢዩ። ካብኡ ንላዕሊ ክገብር ድማ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ዝኾነ ወገን ካብ ወገናቱ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ሰውራዊ ውሳነታት ክሓልፍ ጠሊቡስ፡ ብካልኦት ወገናት ተቓውሞ ዘጋጠሞ ኣይንፈልጥን ኢና። ጉብኤ ፈሺሉ ክበሃል እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ምድግጋም ደኣ ከይኸውን እምበር ንሓደ ካብ ወገናዊ መቆሚታቱ ዝኾነ ምጉሳዩ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኢና ፖለቲካዊ ስኒት ኣብ ምርግጋጽ ፈሺሉ ዝበልና። "ሶዶሓዲላ" ዋላ ካብቲ ኣብ ዓንሰባን ኣዶብሓን ዝተቓለሰሉን ዘረጋገጾን መትከላት ነጻ ምኻኑ ከም ዝእውጅ ዝገበሮ

ጠንቂ ድማ ንሱ ኢዩ። ብሓቂ ድማ ካብ ምግራም ንላዕሊ፡ ዘታሓሳሰብ መርገጺ ኢዩ።

ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ልክዕ ከም ጉባኤ ዓማን ንነፍሱ ሓራ ብምግባር ቀቢላውን ኣውራጅውን ምፍልላይ ዝብል ኣምር ብተደጋጋሚ ኢዩ ተጠቂምሉ። ብግምትና እዚ ሓረጋት እዚ ምስቲ ክሳብ ሕጂ ካብ ኣእምሮ ዘይሃሰሰ ምጉጅጃላት ናይቲ እዋን እተን ሓቂታቱን ዘይሳነ ኢዩ።

***መርገጺ ጉባኤ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ምስ ተ.ሓ.ኤ. እንታይ ነይሩ?***

ኣዋጅ ጉባኤ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብተዛዋዋሪ ይኹን ብጋህዲ ኣየልዓሎን። ከም ኣብ ሜዳ ቀሪቡ ዘሎ ኣሻቃሊ ጉዳይ እውን ኣይተንከፎን። ብኣንጻሩ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ንተ.ሓ.ኤ. ስማ ከይጠቐሰ ኣብ ቦታ ጸላኢ ወይ ምስ ጸላኢ ከም ዝተመሓዘወት ገይሩ'ዩ ኣቐሚጡዋ። እስከ ነዚ ዝስዕብ ነንብብ።

***"ኣብ መጨረሽታ፡ እቲ ሰውራ ባሕቲ መሰከረም ዝኣወጅን ንተኸታታሊ ትሽዓተ ዓመታት ብሉጻት ደቁ ዝኸፈለሉ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኣቅሓ ዕዳጋ ክሸየጥን ክዕደግን ከምዘይኮነ ሃሱሳትን ውዲተኛታትን ክፈልጡ ኣለዎም። ብዋጋ ክብሪ ህዝብናን ደም ስማእታትናን ዝግበር ሽመታ ናይ ግድን ክሳራ ዘሰዕበሎም ምኳኑ ድማ ተስዓርቲ ክርድእዎ ኣለዎም። ከምኡውን ብዋጋ መሬት ኤርትራ ዝግበር ዋጋ ዕዳጋ ናይ ግድን ንኣለምቱ ዘዕኑ ክኸውን ኢዩ።"***

ብዝኾነ ግን ናይ ጃህራን ዘይከውንነታውን ዘረባታት ንጎኒ ገዲፍና፡ ከነቅርቦ እንደሊ ሕቶ፡ ጉባኤ "ሶዶሓዲላ" ንኽልቲኡ ወገናት ተ.ሓ.ኤ. ናብ ሓድነት ንምምጻእ ዕቱብ ነይሩ ክበሃል ይከኣል ዶ?

# 9. ምንቅስቓስ ካድር ውድብን ተራ ሰልፊ ዕዮን

## ምንቅስቓስ ካድር፡

ካድር ውድብ ገለ ናይ ሓባር ረቛሒታት ነይሩዎ።[149] እተን ቀንዲ ክልተ ረቛሒታት ከኣ፡ ቀዳማይ፡ ካብ ኣካዳሚያዊ ድሕሪ ባይታ ዝነቐለ መጠናዊ ንቅሓት ኢዩ። ኩሎም ካብ ማእከላይ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝበጽሕ ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርቲ ዝነበሮም ክኾኑ ከለው፡ ካብኦም ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ኣብ መዳያት ስርሖም ኣብ ወጻኢ ስልጣናታት ዝወሰዱ ነይሮም። ካልኣይ ኣብ ስርሖም ዘጋጠሞም ዝነበረ ናይ ሓባር ጸገማት ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት ወተሃደራዊ ቦታኦም ውሱን ብዘይምንባሩ፡ ሰርሖም ንምስላጥ ኣብ ሰናይ ምትሕግጋዝ ወተሃደራዊ መራሕቲ ዝምርኮስ ኢዩ ነይሩ። ወተሃደራዊ ቦታኦም ብዘይምንጻሩ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታቶም ንዝርኽብዎ ተፈላጥነት የጉድሎ ነይሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ መንጎኦምን ወተሃደራውያን መራሕቲን፡ ብፍላይ ከኣ ምስቶም ንኣሽቱ መራሕቲ ከም መራሕቲ ጋንታታትን መሳርዕን ኣብ ጉዳይ ሳልጣን ዘይምርድዳእ የጋጥም ነይሩ። ብዘይካ'ዚ እውን ስርሖም ንምስላጥ ባጀት የድልዮም ሰለዝነበረ፡ ንኣብነት ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት ከም ጠራዙትን ቢሮታትን ንምግዛእ፡ ኣብቲ ናይ ሰለያ ሓለፍቲ ድማ ካብ ኣሃዱታቶም ወጻኢ ክንቀሳቐሱ ሰለዝድለ ገንዘብ ንምርካብ ኣብ ወተሃደራውያን

---

[149] እዚ ካድር ንብሎ ዘሎና፡ ንናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት፡ ሓለፍቲ ጥዕና፡ ሓለፍቲ ሰለያ ኣብ ኣሃዱታትን ክፍልታትን ኢዮም። ወተሃደራውያን መራሕቲ ንብሎም ዘሎና ድማ መራሕቲ ኣሃዱታት ኢዮም። ነዚ ዝመረጽናሉ ምኽንያት ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኦም መጠናዊ ፍልልይ ሰለዘሎ ኢዩ።

መራሕቲ ይምርኮሱ ነይሮም። ምኽንያቱ እቲ መሳርፍ ናብኦም ሰለዝመጽእን ብናታቶም ትእዛዝ ወጻኢ ሰለዝግበርን። ሰለዚ እዚ ጉዳይ'ዚ እውን ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ካድራትን መራሕቲን ሽግር ዝፈጥር ዝነበረ ኢዩ።

ኣብ እዋን ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝነበረ ኩነታት ከምዚ ዝተጠቅሰ ኮይኑ፡ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ እውን ከምዘለዎ ናብቲ ሓድሽ መደረኽ ሰጊሩ።

ጠቕላሊ መሪሕነት ንሓለፍነታት ዝውስን ሓፈሻዊ ሕጊታት ኣውጺኡ'ኳ እንተነበረ፡ እዚ ሕጊታት'ዚ ግን ነቲ መሰረታዊ ሽግር ብፍላይ ከኣ ንስልጣን ዝምልከት፡ ክፈትሕ ስለዘይካኣለ፡ ጠንቂ ሽግር ብምኳን ቀጺሉ።

ብሰንኪ'ቲ ዝጠቐስናዮ ክውንነት ድማ እዚ ንዛረበሉ ዘሎና ካድር ተራኡ ኣብ ምብርካትን እቲ ጉዳይ ገደብ ንኽግበረሉ ኣብ ዘቕርቦ ዝነበረ ተደጋጋሚ ጠለባትን ብሓባር ይዋሳእ ነይሩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ዝተጠቕሰ ድማ ንተራ ካድር ዝዕንቅፍ ካልኦት ክልተ ረቛሒታት ነይሮም። ቀዳማይ፡ ገሊኣቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሰርሕሉ ክፍልታት እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ነንሓድሕዶም ይፋለጡ ሰለዘይነበሩ ኣብ ዝምድናታቶም ዕቃበታትን ዘይግሉጽነትን ይዕብልል ምንባሩ። ልክዕ'ዩ ኣብ ሜዳ ወይ ኣብ ናይ ስልጣና ኮርሳት ወይ'ውን ኣብ ግዜ ንእስነቶም ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝማዕበለ ኣብ መንጎ ብዙሓት ካብኦም ውልቃዊ ዝምድናታት ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ተርእዮ'ዚ እውን ካብ ክሊ ውልቃዊ ዝምድና ዝሓልፍ ኣይነበረን። እቲ ካልኣይ ረቛሒ ከኣ ኩሎም በቲ ናይ ዘመነ ክፍልታትን ሓለፍቱን ፍልልያት ብመጠኑ ዝተጽልው ምንባሮም ኢዩ። እዚ ድማ ንምርሕሓቕ ዝዕድም ኢዩ ነይሩ'ኳ እንተዘይበልና ንዕቃበታቶም የዛይዶ ግን ነይሩ። ብዙሓት ካብኣቶም ንመራሕቲ ናይቲ ፍልልያት ብምጽራርን ብነጻነቶምን ዝተፈልጡ፡ ምእንቲ ሓድነት ብዘካየድዎ ቃልስታት ብዙሕ ሽግራትን ንተራኦም ምርሳዕን ምጉሳይን ኣጓኒፍዎም ኢዩ። እንተኾነ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣወንታዊ ተርእዮታት ኣብ ሓጺር ግዜ ምትእምማን መሊሱ ብዛዕባ ሽግራት ተ.ሓ.ኤን ኣገባብ ኣፈታትሕኡ ስሙር ኣረኣእያ ክፈጥር እኹል ኣይነበረን።

ምትሕንፋጽን ስምረትን ሰራዊት ገና ከይተወድአ እንከሎ ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. እናኸፍአ ምስ ከደ፡ ከም ምእሳር ኣባላት መሪሕነትን ምስኦም ምትእስሳር ዝነበሮም ካድራትን፡ ተቓውሞ ክልተ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ ንውሳነታት ኣዶብሓ፡ ብዛዕባ ምጭዋይን ምቕታልን ኣብ ከሰላ ዝበሃል፡ ፍልልያት ኣደም ሳልሕን ሓዮቲን እቲ ቃልሲታቱ ብሓድነት ክዛዘም ተተስፍዮ ዝነበረ ካድር ከም ብሓድሽ ክሻቀል ጀሚሩ። ከም እንደገና ድማ ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ ብዛዕባ'ቲ ሽግርን ኣገባብ ኣፈታትሕኡን ክዛረብ ተገዲዱ።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት እቲ ካድር ናብ ኣኼባ **"የካርዕ"** ምስ ታዓደመ፡ ብተስፋ ኢዩ መጺኡ። ንተ.ሓ.ኤ. ቅኑዕ መስመራ ክትሕዛ ይኽእል'ዩ ዝበሎ ሓሳባት ሒዙ ኢዩ እውን ቀሪቡ። እቲ ኣኼባ ብኸምቲ ዝገለጽናዮ ዘሕዝን ኣገባብ ምስ ፈሸለ ድማ ልዕሊ ዓቅሙን ክስከሞ ዘይኽእልን ጾር ኮይኑ ኢዩ ተሰሚዕዎ። ድሕሪ ምፍሻል ናይቲ ኣኼባ ኣብ ቅድሚ ኩሎም እንታይ ክግበር ኣለዎ? ዝብል ሕቶ ተላዒሉ። ድሕሪ'ቲ ፍሹል ኣኼባ ዝዓበየ ተርእዩ፡ እቲ ካድር ንተ.ሓ.ኤ ካብቲ ትኸዶ ዝነበረት ኩነታት ንምድሓን ገለ ስጉምትታት ክውስድ ኣለዎ ኣብ ዝብል ምስማሩ ኢዩ። ብዙሓት ካብኣቶም ህውኽ ርእይቶ ብምሓዝ ዝስዕብ ውጽኢት ብዘየገድስ ንመሪሕነት ህጹጽ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክጽውዕ ንምስግዳድ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ናይ ጎስጓስ ዘመተ ከካይዱ ኣለዎ ክብሉ ጀሚሮም።

ዋላ'ኳ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ብዝሒ ዝነበሮ ካድር ብዘይ ውጽኢት ካብ ኣኸባ ፋሕ እንተ በለ፡ እቲ ፍሹል ኣኸባ ግን፡ ንተ.ሓ.ኤ. ንምድሓን ብዛዕባ ክሰርሕ ዘለዎ ኣረኣኣያ ካድር ኣብ ምስማር ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ።

* * *

ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ሕክምና ትምህርቱ ኣብ መጻኢ ወዲኡ ንሜዳ ዝኣተወ መንእሰይ ነይሩ። ንሱ ከኣ ዶክቶር ያሕያ ጃብር ዑመር[150] ኢዩ። ተ.ሓ.ኤ ካብ እትምስረት ኣባላ ዝኾነ ዶክተር ያሕያ ጃብር ንቁሕን ሰፊሕ ፍልጠት ዝውንንን ሃገራዊ ኢዩ ነይሩ። ደክቶር ያሕያ ኣብ ሓጺር ግዜ ንጸገማት ተ.ሓ.ኤን ኣከያይዳኣን ተረዲኡዎ ኢዩ። ናይቲ ኣብ ኣኸባ "የካርዕ" ተሰፋ ዝቆረጸ ካድር ምሉእ እምነት ረኺቡ፡ ንሽግራት ተ.ሓ.ኤ. ፍታሕ ኣብ ምድላይ ብዓቕሙ ከበርክት ድማ ወሲኑ።

መሪሕነት ንዶክቶር ያሕያ ንሱ ኣብ ዝመርጾ ቦታ ንተ.ሓ.ኤ. ማእከላይ ሆስፒታል ክቕውምን ንምቛሙ ዘድሊ ጠለባት ክቕርብን ሓሳብ ኣቕሪብሉ። እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ ህዝብን ተጋደልትን ዝርከብ ሕማማት ኣጽኒዑ ነቲ ሆስፒታል ዘድሊ መድሃኒት ክሳብ ዝውስን፡ እቲ ጉዳይ ተወንዚፉ ክጸንሕን ንግዚኡ ክሳብ ዕማም ናይቲ መጽናዕቲ ዝውዳእ ተንቀሳቃሲ ክልኒክ ገይሩ ኣገልግሎት ሕክምና ክህብን ሓሳብ ሂቡ። ዕማሙ ንምስልጥ ከኣ ገለ ታሓጋገዝቲ ተመዲቦምሉ።

ዶክቶር ያሕያ ናብዚ ሓሳብ'ዚ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ድሕሪ ኣኸባ "የካርዕ" ምስ ብዙሓት ካድራት ምስ ተራኸበን ምስኦም ብምርድዳእን ኢዩ። ኩሎም ከኣ እቲ ክሊኒክ ንምንቅስቓስ ናይቲ ካድር ማእከል ንክኸውን ተሰማምዑ።

ዶክቶም ያሕያ ድሕሪ ብዙሕ ክትዓት እቲ ካድር ዝሰርሓሉ መድረኻዊ ፕሮግራም ብኢዱ ጽሒፉ ኣዳልዩ። እቲ ንወተሃደራዊ ጉባኤ ዝጽውዕን ካብኡ ከኣ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ክእቶ ዝጠልብን ፕሮግራም፡ እዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ነይሩዎ። (ቀንዲ ካብኡ ንጠቕስ)

"1. ***መድረኽ ኣዶብሓ - ኣወንታታቱን ኣሉታታቱን***

***ሀ. ኣወንታታት***

1. ***ወተሃደራዊ ክፍልታት ምስራዝን ንተጋደልቲ ምስማርን ሰራዊት ሓርነት ምትሕንፋጽን።***
2. ***ኣብ ሜዳ ዝመደበሩ ስልጣን ምህላው።***
3. ***ኣገዳስነት ምኽያድ ጠቕላሊ ሃገራዊ ጉባኤ ምውሳን።***

***ለ. ኣሉታታት***

1. ***ቅድሚ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝነበረ ግርጭታት ኣብ ውሽጢ ጠቕላሊ መሪሕነት ካብቲ መጀመርታ ውሳነታት ጉባኤ ክትግበረሉ ዝጀመረ እዋን ምግሃዱ። ጠቕላሊ መሪሕነት ድማ ኣብ ክንዲ ዝፈትሖ ሓላሊኹዎ። እዚ ድማ ንትግባረ ውሳነታት ኣዶብሓ ምሉእ ምርሳዕ ኣኪቲሉ።***
2. ***ንምትሕንፋጽ ጥዑይ መሰረት ዘይምግባሩን ብዝግባእ ዘይምእላዩን ኩነታት ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ናብቲ ናይ ቅድም ምምላሱን።***

---

[150] ዶክቶር ያሕያ ኣብ 1938 ኣብ (ዓሊ ግድር) ተወሊዱ። መባእታ ኣብ "ዓሊ ግድር" ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ድማ ኣብ ሱዳን ተማሂሩ። ሕክምና ኣብ ዩኒቨርስቲ ሮማ ኣብ ኢጣልያ ተማሂሩ፡ ኣብ 1968 ድማ ተመሪቑ። ናይ ብሉጽ ደረጃ ዓመት ምስ ወድአ ድማ ኣብ መጋቢት 1970 ኣብ ሚዳ ተሰሊፉ። ዶክተር ያሕያ ቀዳማይ ሓኪም ኣብ ሜዳ ዝተሰለፈ ኢዩ።

3. ሕማቅ ውዳበን ኣገባብ ኣማሓድራ ፋይናንስን ኣብ ውሽጢ ሰውራ ክልተ ተገራጨውቲ ኩነታት ፈጢሩ። ቀዳማይ ኣብ ምቹእ ፋይናንሳዊ ኩነታት፡ ካልኣይ ድማ ኣብ ሕማቕ ፋይናንሳዊ ኩነታት ዝነብርን ኢዩ።
4. መሪሕነት ኣብ ውሽጢ ህዝብን ሰራዊትን ዝኾነ ፖለቲካዊ ንስኻስ ከካይድ ዘይምኽኣሉ።
5. ብሰንኪ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝተፈጸመ ጉጉይ ተግባራት ጉዳያት ሰውራ ምግዳዱን ምትሕልላኹን።
6. ፖለቲካዊ ስራሕ ኣብ ወጻኢ ምርሳዕ።"

ቀጺሉ እቲ ፕሮግራም ብዛዕባ ዕማም ወተሃደራዊ ጉባኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ወሲኑ።

1. "ኣወንታታትን ኣሉታታትን መድረኽ ጉባኤ ኣዶብሓ ምምይያጥን ምንጻርን።
2. ክሳብ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበር ንሰውራ ሓድሽ ግብራዊ መደባት ምሕንጻጽ።
3. ኣሰናዳኢት ኮሚተ ብታሪኽውን ወድዓውን መዳያት ንኩሉ ጉዳያት ሰውራ ንምጽናዕ ብቕዕቲ ምእንቲ ክትከውን ብግብሪን ሰነ - ምጎትን ናብኣ ምትኳር።
4. ነቲ ጠቕላሊ መሪሕነት ድሕሪ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ንሰለስተ ኣዋርሕ ክቕጽል ኣለዎ ዝብል ውሳነ ጉባኤ ኣዶብሓ ምስራዝ።" (ከም ዝፍለጥ ጉባኤ ኣዶብሓ ነዚ ዝተጠቕሰ ውሳነ'ዚ ኣሕሊፍዎ ኢዩ)

ኣስዒቡ እቲ ፕሮግራም ብዛዕባ ዕማም ኣሰናዳኢት ኮሚተ ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ንጉባኤ እትቕርቦ መጽናዕትታት ብምትኳር ብዝርዝር ኣቕሪብዎ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ፕሮግራም ብኢድ ብምብዛሕ ናብ ካድራት ውድብ ከምዝዝርጋሕን ብምስጢራዊ ኣገባብ ምስኦም ክትዓት ከምዝካየደሉን ተገይሩ። ናይ ኩሎም ካድራት ብዘይ ኣፈላላይ ድማ ደገፍ ረኺቡ።

እዚ ፕሮግራም'ዚ ካብ ዝተጻወቶ ኣገዳሲ ተራ፡ ንካድራት ካብቲ ናይ ምድንጋር ኩነታት ኣውጺኡ ነቲ ሽግራት ንምፍታሕ ብሓባር ከም ዝሰርሑ ምትብባዕን ጸገማት ንምፍታሕ ተኽእሎታት ከም ዘሎ ተስፋ ከም ዘሕድሩ ምግባሩ ኢዩ። ካድራት ውድብ ድማ ብወገኖም ከከም ዝምድናታቶም ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምክያድ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ተጽዕኖ ዝገብር ናይ ሓባር ርእይቶ ንምፍጣር ንትሕዝቶ ናይቲ ፕሮግራም ምስ ተጋደልትን ንኣሽቱ መራሕትን ከመያይጥሉ ጀሚሮም።

እንተ ነቶም ብፍልልያት ጠቕላሊ መሪሕነት ዝያዳ ዝተጸልውን ናብኡ ዝተጸንበሩን ወተሃደራውያን መራሕቲ፡ መብዛሕትኦም ንቕሓቶም ዱሩት ብምኻኑ ተኽእሎታት ኣብ ዝተረኸበሉ ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይቲ ፕሮግራም ጥራይ ክመያየጥዎም እምበር ነቲ ፕሮግራም ክይዋሃቦም ተወሲኑ።

ንኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ብዝምልከት ድማ በብውልቂ ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይቲ ፕሮግራም ክመያየጥዎም፡ ከምኡውን ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ንትሕዝቶኡ ንኽቕበልዎ ምዝርራቦም ተወሲኑ።

ኣብ መንጎ'ዚ ዝጠቐስናዮ ካድር ውድብ ዝነበሩ ኣባላት ሰልፊ ዕዩ ብቁጽሪ ኣዝዩም ውሑዳት ሰለዝነበሩ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓፋሽዊ ካድር ኢዮም ዝሰርሑ ነይሮም። እንተኾነ ግን ኩነታት ኣብ ዝፈቀደሎም ከም ኣባላት ሰልፊ ይራኸቡ ነይሮም። ህላወ ዶክቶር ያሕያ ከም ኣባል ሰልፊ ድማ ንጥፈታት ኣባላት ሰልፊ ኣብ ምውህሃድ ሓጋዚ ረቛሒ ነይሩ።

ክሊኒክ ዶክቶር ያሕያ ጃብር ግን ንነዊሕ ኣይጸንሐን። ኣብ ሓምለ ናይቲ ዓመት'ቲ (1970) ኣብ ዝተኻየደ ኵናት ብኢድ ጸላኢ ተሰዊኡ። ይኹን'ምበር

መስርሕ ተ.ሓ.ኤ. ንምእራም ኣብ ሓደ ፕሮግራም ኣረኣእያ ካድር ኣብ ምስማር ዝተጻወቶ ተራ ነቲ ካድር መሰረታዊ ረቛሒ ናይ ቃልሲ ኮይኑዎ ኢዩ።

እዚ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሚያዝያ 1970 ካድር ውድብ ዘልዓሎን ተመኩሮ ጠቅላሊ መሪሕነት ብዝምልከት ዝቐረበን ነጥቢታት ዝሓዘ ፕሮግራምዚ፡ ካድር ውድብ ብተግባራት ጠቅላሊ መሪሕነት ክሳብ ክንደይ ሕማቕ ይስምዖ ከም ዝነበረን ካብኡ እምነቱ ከም ዝሰሓበን ንሽግራት ተ.ሓ.ኤ ንምፍታሕ ተራኡ ክጻወት ክሳብ ክንደይ ተላዒሉ ከምዝነበረን ብብሩህ የነጽረልና። ምስቲ ኩሉ ንሜዳ ዓፊኑ ዝነበረ ዝተሓላለኸ ጽንኩር ኩነታት መብዛሕትኡ ካድር ውድብ ኣብ ምእራም ኩነታት ተ.ሓ.ኤ ጽኑዕ እምነትን ሓያል ድልውነትን ነይሩዎ። ይኹን'ምበር ገለ ካብኣቶም ቃልሲ ናይ ምግዳፍ ምርጫ ኣይወሰዱን ማለት ኣይኮነን።

ከምቲ ዝተዓዘብናዮ እቲ ፕሮግራም ነቲ ድሮ ጀሚሩ ዝነብረ ተርእዮ ምፍንጫል ኣይተንከፎን። ኣብ ልዕሊኡ'ውን ብሩህ መርገጺ ኣይወሰደን። ኣብቲ እዋን'ቲ ቀንዲ ኣተኩሮኡ ብዝተኻእለ ውሽጣዊ ሓድነት ኣብ ምዕቃብ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ።

* * *

ኣብ ኣኽባ **"ኩልንቱባይ"** ዝሓለፈ ወተሃደራዊ ጉባኤ ምክያድ ዝብል ውሳነ ጠቅላሊ መሪሕነት ካድር ውድብ ብሓጎስ እኳ እንተ ተቐበሎ፡ ዝካየደሉ ግዜ ዘይምውሳን ብዙሕ ጥርጣረታት ኣሕዲርሉ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ ጉባኤ ብወገን መሪሕነት መልሲ ክይረኽበ ደጋጊሙ ክዛረበሉ ጀሚሩ። ንኣባላት መሪሕነት ኣብቲ ኣኽባ **"ኩልንቱባይ"** ዝቆሞ ግንባራት ምምዳቦምን ኣብ ዋኒን ስርሖም ምሕጻሮምን ምስ ግዜ ብዛዕባ እቲ ጉባኤ ምዝራብ እንዳተረስዓ ምስ ከደን ነቲ ጉዳይ ኣብ መንገኦ ካድር እንደገና ኣለዓዒልዎ።

ሰለዚ ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1970 ኣስታት ዓሰርተ ዝኾኑ ካድራት ጉባኤ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዛዕባ ዝካየደሉ ንምምይያጥ ኣብ ባርካ ሂምቦል ኣብ ዝተባህለ ቦታ ተኣኪቦም። ድሕሪ'ቲ ዘካየዱዎ ክትዓት፡ ነቲ እናንቆልቆለ ዝኸይድ ዝነበረ ኩነታት ተ.ሓ.ኤን ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ዝረአ ዝነበረ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ተርእዮታትን ዝረአ ዝነበረ ቃልሲ ናይ ምግዳፍ ኣንፈትን ዝሕብርን ነቲ ኣኽባ **"ኩልንቱባይ"** ዝወሰኖ ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክካየድ ዝጠልብን መዘክር ናብ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ኣቕሪቦም። ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት፡ ነቲ ጉዳይ ክርእይዎ ምኳኖም እውን ቃል ኣትዩ።[151]

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ካብቲ መዘከር ዝቐረበሉ ድማ፡ ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ን30-12-1970 ኣብ **"ጣሕራ"** ወተሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ ናብ ኩሎም ኣብ ግንባራትን ወጻኢን ዝርከቡ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት መልእኽቲታት ሰዲዱ።

[151] ካብቶም ኣብቲ መዘክር ምቅራብ ዝተሳተፉ፡ ማሕሙድ ሓሰብ፡ ሙሓመድ ሓምድ ዓሸክራይ፡ ኣንዋር ሙሓመድ ኑር፡ ዑስማን ዓብደላን ኢብራሂም እድሪስ ቶቲልን ይርኸብዎም።

**ተራ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ዕዮ**

ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ብ1968[152] ብምስጢር ዝተመስረተ ማርክስዊ ለኒናዊ ሰልፊ ኢዩ። ዕላማታት ሰልፊ ዕዮ ከም ኩሉ ካልእ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ልዕልነት ፖለቲካዊ መሰመሩ ንምርግጋጽ ኢዩ።

መድረኽ ሱሳታት ኣብ ኤስያን ኣፍሪቃን ጸጋማዊ ትሕዝቶ ዝነበሮ መድረኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ኢዩ ነይሩ። ጸጋማውያን ሓይልታት ብኩሉ መልክዓቶም ድማ ኣብ ቃልሲ ዝበለጸ ኣብነትን ተወፋይነትን የርእዩ ነይሮም። እዚ ድማ ንጸጋማውን ማርክስውን ኣተሓሳስባታት ብፍላይ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን ኤስያን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ድማ ብውሱን ደረጃ ኣብ ምዝርጋሕ ተራ ነይሩዎ።

ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ እትምስረት ኣትሒዛ ከም ተኸታታልን ዝተኣሳሰረን ዝመስል ሽግራት፡ ጠንቂ ሰውራ ዝምርሓሉ ሰውራዊ መስመር ብዘይ ምህላው ኢዩ ናብ ዝብል ዕግበት ንመስረቲ ሰልፊ ዕዮ ኣብጺሑዎም። **"ብዘይ ሰውራዊ ክለስ ሓሳብ ሰውራ የለን" "ብዘይ ሰውራዊ ውድብ ሰውራ የለን"።**

ኣባልነት ሰልፊ ዕዮ ክሳብ'ዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ ኣብ ሜዳን ወጻኢን ኣብ ውሑዳት ሰባት ዝተወሰነ ኢዩ ነይሩ። እቲ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ነቲ ሰልፊ ኣባልነቱ ንኸየስፍሕ ብዝላዓለ ደረጃ ከምዝጥንቀቕ ገይርዎ።

ኣበርክቶ ሰልፊ ዕዮ ኣብ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣዝዩ ዝተወሰነ ኢዩ ነይሩ። እቶም ካብ ቁጽሪ ኣጻብዕቲ ኢድ ዘይሓልፉ ኣባላቱ ናብ ጉባኤ ሒዙምዎ ዝኣተው ፕሮግራሙ እቲ ሽዑ ዝጥለብ ዝነበረ ከም ምስማር ሰራዊት ሓርነት፡ ግዝያዊ መልክዕ ዘለዎ መሪሕነት ምቛም፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ሰልፊ ዕዮ ኣብ ሜዳ ስሩዕ ንጥፈታት ከካይድ ዝጀመረሉ ካብዚ እንዛረበሉ ዘሎና እዋን ኣትሒዙ ኢዩ። እቲ ንጥፈታት ከምቲ ጸኒሕና እንርእዮ ኣብ ሓጺር ግዜ ተዓጻጺፉ ነቲ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ሓይሊ ንኽኸውን ኣብቂዕዎ።

እንተ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና መድረኽ፡ ኣባላቱ ኣብ ክሊ ምንቅስቓስ ናይቲ ካድር ነቲ ስምምዕ ዝተገበረሉ መደብ ንምዕዋትን ኣብ ምእራም ተ.ሓ.ኤ ካድር ተርኡ ንኽጻወት ኣብ ምትብባዕን ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም።

# 10. ዘይተጋበአ ጉባኤ "ጣሕራ" (ታሕሳስ 1970)

መብዛሕትኡ ፍጻሜታት 1970 ክሳብ ጥቅምቲ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ሕልና ዝትንክፍ ኢዩ ነይሩ። ነፍሲ ወከፍ ፍጻመ ኣዕጋቢ ፍታሕ ከይተገብረሉ ከሎ ካልእ ካብኡ ዝኸፍአ ፍጻመ ይስዕቦ ነይሩ። እቲ ሓቀኛ መግለጺ ናይዚ ድማ እቲ ካድር ውድብ ኣብ ሚያዝያ ዝተስማማዓሉን ኣብ ጽሑፍና ዝገለጽናዮን ገምጋም ኢዩ ነይሩ።

ኣቦ መንበር ጠቕላሊ መሪሕነት ነቲ ኣኼብ **"ኩልንቴባይ"** ዝወሰኖን ጸኒሑ ዝተረስዐን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱን ክፍሊን ከም ህጹጽ ጠለብ ብዙሕ ዝተዘርበሉን ወተሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ  ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ምስ ወሰነ እዚ ዜና እዚ ናይቲ ግዜ እቲ ዝሓሸ ዝተሰመዐ ብስራት ኢዩ ነይሩ። ሰፊኑ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ብሃንደበት ተቐይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ብዛዕባ ናይ ምፍንጫልን ምዕባለታቱን ዝምልከት ዜናታት፡ ፍልልያት መሪሕነትን ዝበጽሐ ደረጃን፡

[152] ገለ ካብ መሰረቲ ሰልፊ ዕዩ፡ ኣዜን ያሲን፡ ማሕሙድ ሙሓመድ ሳልሕ፡ ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ሳልሕ ኣሕመድ ኢያይ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ሙሓመድ ዑመር ያሕያን ኢዮም።

ምንቅስቓስ ጉጅለ ኣደም ሳልሕን ዕላማታቱን ዝኣመሰለ ምዝራብን ምክትታልን ኢዩ ነይሩ። እዚ ግን ድሕሪ ምእዋጅ ጉባኤ ንጎኒ ተገዲፉ፡ ኣቃልቦታት ናብ ጉባኤን ብኽመይ ዝጽበዮ መደረኻዊ ዕማም የዓውትን ኣብ ዝብል ጉዳይ ተለዊጡ። ቀንዲ ኣተኩሮ ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ ብኸመይ ይመዓራረ ኣብ ዝብል ነይሩ። ኣብ ቦታ ተስፋ ምቁራጽ፡ ተስፋ ምግባር ስፊኑ።

መብዛሕትኦም፡ ብፍላይ ከኣ ወከልቲ ናይተን ካብቲ ጉባኤ ዝካየደሉ ቦታ ርሑቅ ዝነበራን ዝያዳ ዝተጎድኣን ኣሃዱታት ቅድሚ ሰሙን ካብቲ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለት 30-12-1970 ኣብ ቦታ ጉባኤ መጺኦም። ምስ ምውሓዝ ዕዱማት ድማ ኩሎም ብዛዕባ ህልዊ ምዕባለታትን ሓድነት ተ.ሓ.ኤ ንምዕቃብ ኩነታት ብኸመይ ክእለ ከምዝለዎን ክመያየጡ ጀሚሮም።

ካብ ቆጸራ ዕለት ጉባኤ ኣስታት ሓደ ሰሙን ምስ ሓለፈ፡ ኣቃልቦ ናይቶም ምልኣተ ጉባኤ ዝጽበዩ ዝነበሩ ተወከልቲ ዝስሓበ ሓድሽ ተርእዮ ተኸሲቱ። ንሱ ከኣ ተወከልቲ ናይ ዓሰርተ ሓይልታት ባርካ ብምልኦም ዘይምምጽኦ ኢዩ። ኣብ መጀመርታ እቲ ጉዳይ ብሕሽኹሹኽ ጀሚሩ፡ ጸኒሑ ግን ናብ ጋህዲ ወጺኡ።

መብዛሕትኦም ኣባላት ጉባኤ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ካብ ኣኮለጉዛይ፡ ስምሃርን ዳንከልያን ዝመጹ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ጉጅለ ኣደም ሳልሕ ኣብ ባርካ ብዙሕ ዝፈልጥዎ ኣይነበረን። እቶም ምንቅስቓስ ናይቲ ጉጅለ ብዙሕ ዝፈልጡ እውን እንተኾነ ጉባኤ ንምዕዋት ምእንቲ ብዛዕባኡ ክዛረቡ ኣይደለዩን ኢዮም ነይሮም። እንተኾነ ግን ድሕሪ ሰሙን ንሳቶምን እተን ዝመርሕወን ዓሰርተ ሓይልታትን ኣብ ቦታ ጉባኤ ብዘይምምጽኦም ኣኼበኛታት ብዛዕባ'ቲ ተርእዮን ጠንቂ ዘይምምጽኦምን ክዛረቡ ተገዲዶም። ቀጺሉ እቲ ጉጅለ ምስ ኣሃዱታቱ ኣብ ጉባኤ ከምዘይሳተፍን ከቋርጾ ከም ዝወሰንን ድማ ብተኸታታሊ ሓበሬታ ክመጽእ ጀሚሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኣብ ከሰላ ዘካየድዎ ኣኼባ ብሰፊሕ ተዘርጊሑ ኣይነበረን። እንትኾነ ግን ምምጻእ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ናብ ከሰላን ምስ ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ምርኻቡን ብዝተወሰነ መልክዕ ይዝረበሉ ነይሩ። ኣባላት መሪሕነት ግን ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ እኹል ሓበሬታ ነይሩዎም።

ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝኸፍአ ዜና ሒዙ ክመጽእ ምስ ጀመረ፡ ተስፋታት ተጸበይቲ ናብ እናዛየደ ዝኸይድ ሻቕሎት ተቀይሩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ሻቕሎት፡ እንተ ድኣ እቲ ተርእዩ ሓድሽ ምፍንጫል ኮይኑ እንታይ ኢዩ ዝግበር ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ድሕሪ ኣስታት ክልተ ሰሙን፡ ኩሉ ተጸባዪ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሻቕሎት ከሎ ኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ንኣባላት ጉባኤ ኣኼብ ጸዊዖም።

ሃዋሁው ኣኼብ ከቢድን ውጡርን ኢዩ ነይሩ። ነቲ ተዓቢሱ ዝነበረ ቁጥዐ ዘፍርሕ ስቕታ ጥራይ'ዩ ዝገልጾ ነይሩ።

ኣብ ክንዲ ኣቦ መንበር ኮይኑ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ብሓጺሩ ዝተዛረበ ዓብደላ እድርስ ኢዩ ነይሩ። ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነትን ምስኦም ዘለዋ ዓሰርትር ሓይልታት ባርካን ብዘይተፈልጠ ምኽንያታት ኣብ ጉባኤ ንኽይሳተፉ ከም ዝወሰኑ ሓበሬታ ከም ዘለዎምን መሪሕነት ምስኦም ተራኺቡ ኩነታቶም ዝፈልጥ ካብ ኣባላቱ ኮሚተ ኣቁሙ ከም ዘሎን ክሳብ ኩነታቱ ዘጻሪ ከኣ ግዜ ጉባኤ ከም ዝተመሓላለፈን ገሊጹ። ቀጺሉ ከኣ ወከልቲ ናይተን ኣብ ርሑቅ ከባቢታት ዝርከባ ኣሃዱታት ክሳብ ዝሕበሩ ኣብቲ ከባቢታት ክጸንሑ ሓቢሩ።

ዝኾነ ኣባል ክዛረብ ድሌት ኣይነበሮን። ኩሉ ተሳታፊ ርእይትኡ ብስቕታ ክገልጽ ኢዩ ዝደሊ ነይሩ። ብድሕሪ'ዚ ክልተ ኣባላት ጥራይ ኢዮም ተዛሪቦም።

ንሳቶም ከኣ ነቲ መሪሕነት ዝወሰኖ ደጊፎም። ብዘይካ ንመሪሕነት ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዕድል ምሃብ ካልእ ምርጫ ከምዘየለ ከኣ ገሊጾም። በዚ ድማ እቲ ኣኼባ ፋሕ ኢሉ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ጉባኤ ተነቢሩ ዝነበረ ተስፋ ብሃንደበት በኒኑ። ካብዚ ንላዕሊ ግን ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ዝቐንዐ ቁጥዐ ርኡይ ኢዩ ነይሩ። ኩሎም ከኣ ብዛዕባ ናይ ምፍንጫል ድሌቶምን ኣብ ልዕሊ ስምዒት ተጋደልቲ ዘርኣዩዎ ንዕቀትን ክዛረቡ ጀሚሮም። ምስዚ ኩሉ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ ብዘይካ ነቲ ኣብ ልብኻ ዘሎ ምዕፋንን ተገዲድካ ምጽባይን ካልእ ምርጫ ኣይነበረን።

ልኡኽ መሪሕነት ብኣቦ መንበርነት ዓብደላ እድሪስ ድሕሪ ምንቅስቃሱ፡ ኣብ መንገ'ቶም ካብ ባርካ ዝመጹ ኣባላት ጉባኤን ተወከልቲ ዝተፈላለያ ክፍልታት መሪሕነትን ርክባት ተኻይዱ። ብድሕሪኡ ድማ ምስ ሓለፍትን ካድራትን ናይተን ኣብ ጉባኤ ዘይተረኽባ ኣሃዱታት ብዛዕባ ኩነታት ሰውራን ኣገዳስነት ሓድነት ተ.ሓ.ኤን ፍልልያት ነጺግካ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንምዕዋትን ብዝምልከት ምስኣታቶም ንምዝርራብ ንባርካ ወሪዶም።

ልኡኽ መሪሕነትን ዝተጠቕሱ ኣባላት ጉባኤን ባርካ ምስ በጽሑ፡ እተን ዓሰርተ ሓይልታት ባርካ ነቲ ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ወጢኖምዎ ዝነበሩ ናይ ምፍንጫል መደብ ባዕላተን ኣፍሺለንኦ ነይረን። ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ ዝወሰድኦ ስጉምቲ ነቶም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነትን መጻኢ መደባቶምን ሃሳይ ጽፍዒት ኢዩ ነይሩ። ነዚ ፍጻሜ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንዘንትዎ ኢና።

ኣኼባ **"የካርዕ"** ነዚ ምስ ክንድዚ ዝኣክል ብዝሒ ዝነበሮ ካድር ግንባር ዝኸፈተ ጉጅለ'ዚ ዓቢ ክሳራ ኢዩ ነይሩ። ብዘይ ምኽንያት ናቱ ጽልኢ ከሲቡ። ጉባኤ **"ጣሕራ"** ግን ብሰንኪ ጉጉይ ግምታቶምን ተግባራቶምን ዝተዓጸጸፈ ክሳራ ኣስዒቡሎም።

ልክዕ'ዩ ቅድሚ እቲ ዘይተጋበአ ጉባኤ **"ጣሕራ"** ዝወሰድዎ ስጉምትታት ኣብ ልዕሊኦም ዓቢ ቁጥዐ ኣሕዲሩ ነይሩ። ካብ **"ጣሕራ"** ምትራፎም ግን ኣንጻሮም ክሳብ ሹዑ ዘይነበረ ጽልኢ ኣሕዲሩ ክብሃል ይካኣል።

# 11. ዑበላውያን ምስንዳእ ንምፍንጫል (ካልኣይ መድረኽ፡ ጥቅምቲ 1970-ጥሪ 1971)

**"ዑበላውያን"** ኣብ ኣኼባ ከሰላ ንጠቕላሊ መሪሕነት ድሕሪ ምኹናን ኣብቲ ንዕለት 30-11-1970 ዝመደብዎ ኣኼባ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ግዝያዊ ማእከላይ መሪሕነት ከም ዝለዓለ ስልጣን ተ.ሓ.ኤ ዕማሙ ንኸጅምር ዕልዋ ከም ዝመደቡን በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ኣዋጅ ከውጽኡን ከም ዝወሰኑ ኣብ ሕጡቦ ሸውዓተ ናይዚ ምዕራፍ እዚ ኣንቢብና ኢና።

እንተኾነ ግን እቲ ውጥን ኣይተተግብረን። እንታይ ሰለዘጋጠሞ ኢዩ?

**ፍሽለት ዕልዋ**

ብመጀመርታ ንሳቶም ዝበልዎ ንርኣ። እቲ ንሳቶም ዝበልዎ ኣብቲ ናብ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮን ዝተላእከን ገለ ካብኡ ኣብ ቁጽሪ 7 ዝርኣናዮን ደብዳብ ሽዱሽተ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ሰፊሩ ኣሎ። ንሱ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፣

**"ወተሃደራውያን ኣደም ሳልሕ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ ዑስማን ዓጂብ፡ ሙሓመድ ኣሕመድ እድሪስ፡ ዲናይን ሳልሕ ሙሓመድ እድሪስን ንሜዳ ብምንቅስቓስ ንረብሓ**

ናይቲ ንድፌ ንዓሰርተ ሓይልታትን ገለ ጋንታታት ፋዳይንን ክፍሊታትን ኣጎሳጒሶም ኣለው።” ድሕሪ ምባል ቀጺሉ እቲ ደብዳበ፡

“ዕለት 12-12-1970 ኣሕመድ ኣደም ዑመር ምስ ዑስማን ዓጂብን ገለ ካልኦት ኣባላት መሪሕነትን ተመለሱና። ኣሕመድ ኣደም ዑመር ንበይንና ረኺቡ እቲ መደብ ከምዝፈሸለ ገሊጹልና። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ቅድሚ ምርኻቡ ንእድሪስ ገላውዴዎስ ረኺቡ ብዛዕባ’ቲ መደብ ሰለዝሓበሮ፡ ገላውዴዎስ ድማ ንዓብደልረቂብ ሙሐመድ ሙሳ ምስ ሓበሮ፡ ንሱ ከኣ ንመሐመድ ኣሕመድ ዓብዱ ሰለዝገለጸሉ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ምስ ካልኦት ኮይኑ ኣንጻር’ቲ መደብ ሰለዝተንቀሳቐሱ ፈሺሉ። ከምኡውን እቲ ን30-11-1970 ክግበር ተመዲቡ ዝነበረ ኣኼባ መሪሕነት ፈሺሉ። ኣብ ካርቱም ዝነበረ ዑስማን ዓጂብ ናብ ከሰላ ዝተመልሰ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ኣዋጅን ውጽኢትን እናተጸበዩ እንከለው ድማ፡ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ን30-12-1970 ወተሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ ብምውሳን ናይ ምድላው ንጥፈታት ጀሚሮም ኣለው። ናይቲ እድሪስን ዑስማን ገላውዴዎስን ዘመሓላለፎ ሓበሬታ ምስ በጽሖም ድማ ብመገዲ ሙሓመድ ኣቡልቃስም ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምርካብ ብምስጢር ናብ ካርቱም ከይዶም። እንተኾነ ግን ከረኽብዎ ሰለዘይከኣሉ ንሜዳ ተመሊሶም። እቲ መደብ ከም ዝፈሸለን ምስ ብጾቱ ናብቶም ካልኦት ብጾቶም ከይዶም ብዛዕባ’ቲ ኩነታት ክሕብርዎም ምኳኖምን ናብቲ ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ ንዕለት 30-12-1970 ክካየድ ጸዊዑዎ ዘሎ ጉባኤ ክኸዱ ምኻኖምን ድማ ኣሕመድ ኣደም ዑመር ሓቢሩና።”

እምባኣርከስ ፍሽለት ናይ ዕልዋ መደቦም፡ ኑቲ እምነት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብምጥላም ንሓደ ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነት ዓብደልረቂብ ሙሓመድ ሙሳ ዝሓበረ እድሪስ ገላውዴዎስ ኢዩም ኣሰኪሞምዎ።

ነዚ ኣበሃህላ’ዚ ዘረጋግጽ ወይ ዝነጽግ መርትዖታት የብልናን። እንተኾነ ግን ፍሽለት ናይቲ ውጥን ብኻልእ ምኽንያት ምኳኑ ዝሕብር ዝሓየለ መርትዖ ሰለዘሎና ኣብሃህላኦም ድኹም ከምዝኾነ ኢና ንግምት።

ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነት ቅድሚ ኣኼባ ከሰላ ወይ ኣብቲ እዋን’ቲ ጉባኤ “ጣሕራ” ከም ዝጸውዐን ንኣባላት መሪሕነት ከም ዝሓበሮምን ተዓዚብና። ብመሰረት’ቲ ዕድመ ድማ ኣባላት መሪሕነት ኣብ ቦታ ጉባኤ ኢዮም ክራከቡ ዝነበሮም።

ድሕሪ ኣኼባ ከሰላ፡ እቶም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ዕልውኦም ንምፍጻም ኣኼባ መሪሕነት ንኽግበር ናብ ኣቦ መንበር ጠለብ ኣቕሪቦም ዶ ኣየቅረቡን፡ መልሲ ኣቦ መንበር ከ እንታይ ነይሩ፡ ዋላስ ናብ ጉባኤ “ጣሕራ” ንምስታፍ ዕድመ ኣቦ መንበር ምስ መጸም ጠለቦም ኣቛሪጾምዎ? ንፈልጦ ነገር የለን። እንተኾነ ግን እቲ ጉባኤ ንምክያድ ኣቦ መንበር ዘማሓላለፎ ዕድመ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ዝኾነ ኣኼባ መሪሕነት ንኽካየድ መገዲ ከም ዝዓጸወ ክንግምት ንኽእል ኢና። ካልኣይ ከኣ ኣብቲ ደብዳበ መደቦም ድሕሪ ምፍሻሉ ናብቲ ኣቦ መንበር ዝዓደመሉ ጉባኤ ክሳተፉ ምኻኖም ተገሊጹ። ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ እምበኣር ኣቦ መንበርን ካልኦት ኣባላት መሪሕነትን ነቲ ናይ ዕልዎ መደቦም ፈሊጦምዎ እንከለው፡ እቲ ጉዳይ ኣንጻሮም ከይልወጥ ከይሰግኡ ኣብ ጉባኤ ክሳተፉ ዝወሰኑስ ብኸመይ ኢዮም ዝብል ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ብምክያድ ኣኼባ ጠቅላሊ መሪሕነት ከዕወት ዝነበሮ መደቦም ሕማቅ ዕድሎም ኮይኑ፡ ኑቲ ወሳኒ ዝኾነ ኣኼብ መሪሕነት ንምክያድ ዘየፍቅድ ኩነታት መጺኡ። ሰለዚ ድማ ምናልባት’ውን በቲ ዘጋጠሞም ተረብሾም ከለው ይኸውን ናብ ጉባኤ ክኸዱ መዲቦም። እንተኾነ ግን ቀልጢፎም ብምቅያር ከቛርጽዎ ወሲኖም። ሰለምንታይ?

ናብቲ መልሲ ንምርካብ ዝሕግዘና መልእኽቲ ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ክንምለስ። ኣብቲ ደብዳበ፡ “ብ3-1-1971 **ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ ኣደም ሳልሕን ዓጂብን ምሳና ብምርኻብ ክገብርዎ መዲቦም ዘልው ገሊጸሙልና። ንዕለት** 5-1-1971 **ጉባኤ ኣብ ‘ያበል’ ክካየድ ከምዝኾነን ኣብኡ ንሕና ከም እንፍታሕን ሓቢሮሙና። ህዝባዊ ሓይልታት ከም ሓደ ወገን ብመሪሕነት ኣቡጥያራ ኣብ ጉባኤ ክሳተፍ ከምዝኾነ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ምስቲ ን ‘ያበል’ ዝውክል ወገን ንኽትሓናፍጽ ሳልሕ ሙሓመድ እድሪስ ምስ ኣቡጥያራ ከም ዝተሰማምዐ፡ ኣብ መንጎ ኣቡጥያራን ዑመሮን ፍልልያት ከም ዘሎ ገሊጸሙልና።”** ተባሂሉ።

ኣብ ጉባኤ “**ጣሕራ**” ንኽይሳተፉ ምስ ወሰኑ፡ ዝመረጽዎ ውጥን እምባኣር ጉብኤኛታት “**ጣሕራ**” ኣዘንጊዖም ኣብቲ “**ጣሕራ**” ዝካየደሉ ዕለት ናይ ዓሰርተ ሓይልታት ባርካ ጉባኤ ምክያድ ዝብል ነይሩ። እዚ ዝተመረጸሉ ምኽንያት ድማ ብድሕሪ “**ጣሕር**” ኮይኑ ጉባኤ ስርሓቱ ክሳልጥ እሞ፡ ኣብ “**ጣሕር**” ዝጽበዮ ዝነበሩ ጉባኤኛታት ድሕሪ ኣድካሚ ምጽባይ ፋሕ ምስ በሉ ክልውጥዎ ዘይከኣሉ ሓድሽ ኵነት (De-facto) ንምፍጣር ኢዩ።

ብሓቂ መተካእታ ናይቲ ዕልዋ ዝኾነ ሓደገኛ ውጥን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ከም መተካእታ ዝመጸ ውጥን እውን ፈሺሉ። ብኸመይ ከ ፈሺሉን?

ብመጀመርታ ነቲ ኣብ ደብዳበ ናይቶም ሹዑ ኣብ ቦታ ጉባኤ ዝነበሩ፡ እንተኾነ ግን ዘይተሳተፉ ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ዝተጠቕሰ ንርኣ። እታ መልእኽቲ፣

**“ብዝኾነ ጉባኤ ተፈጺሙ፡ ውሳኔታቱ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። (ገለ ካብኡ ክንጠቕስ)**

1. **ንሕና ካብ ማእሰርቲ ክንወጽእ፡ ብስልጣና ኣብ ሜዳ ክንሰርሕ።**
2. **ጠቕላላ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንኽካየድ እትጽውዕን ምስ መሪሕነት ‘ጣሕራ‘ ን ምስቶም ኣብ ጉባኤ ‘ያበል’ ዘይተሳተፉ መራሕቲ ሓይልታትን እትራኸብ ካብ መራሕቲ ሓይልታትን ካልኦትን** 12 **ዝኣባላታ ኮሚተ ቆይማ። ኣቡጥያራ ድማ ንህዝባዊ ሓይልታት ክሕብር ተመዚዙ።**
3. **ጉባኤ ዕለት** 15-3-1971 **ክካየድ ተወሲኑ።”**

ብሓቂ ምክያድ ናይቲ ጉባኤ ነዚ ውሳነታት’ዚ ንምሕላፍ ድዩ ነይሩ? ከምኡ እንተ ድኣ ኮይኑ ምስቲ “**ንጣሕራ**” ዝውክል ወገን ድኣ እንታይ ኢዩ እቲ ፍልልይ? ኢልና ክንሓትት ግብእ ኢዩ።

እዚ ሓበሬታ እዚ ዋላ’ኳ ብመሰረት’ቲ ኣብ ቁጽሪ (2) ተጠቒሱ ዘሎ ምቛም ናይ ርክብ ኮሚተ ገለ ሓቂ ናይቲ ጉዳይ ሒዙ እንተሎ ነቲ ዝተፈጸመ ክውንነት ዘየንጸባርቕ ጎደሎ ኢዩ።

እቲ ዕላማ ብመሰረቱ ምፍንጫልን ናጻ ውድብ ምእዋጅን መሪሕነት ምቛምን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣኼባኛታት ነዚ ብፍጹም ኢዮም ነጺጎምዎ። ኣምሳይኡ ንምቛም ናይ ርክብ ኮሚተ ምስቲ ካልኣይ ሸነኽን ምድላው ንወተሃደራዊ ጉባኤ ክውስኑ በቒዖም።

ብዛዕባ ኩነታት ኣቡጥያራ ንሶም ምስ “**ዑበላውያን**” ከም ዝተፈላለዩን ከምቲ ሳልሕ ሙሓመድ እድሪስ (ኣቡዓጃጅ) ኣቡ ጥያራ ተስማሚዕሉ’ዩ ዝበሎ ኣቡጥያራ ከም ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝውክል ወገን ዘይኮነስ ከም ተዓዛቢ ኮይኑ ክሳተፍ ከም ዝገለጽሎም ድማ እታ ናይ ሽዱሽተ ኣባላት መሪሕነት ደብዳበ ትሕብር። ኣስዒባ ድማ እታ ደብዳበ ኣቡጥያራ ምስ መጸ ምስኡ ተራኺቦም ከም ወገን ክሳተፍ ጌጋ ምኳኑ ምስ ተመያይጥዎ፡ ንሳልሕ ሙሓመድ እድሪስ ከም ወገን ህ.ሓ.ሓ ኮይኑ ክሳተፍ ምኳኑ ከምዘይበሎ ምስ ገለጸሎም ኣብ መንጎኡን ሳልሕን ውጥሪ ኮይኑ ሳልሕ

ንኣቡጥያራ ብምቅያር ቃሉ ክሲሱዎ ክትብል ገሊጻ። ቀጺለ እታ ደብዳበ፡ **"ንኣቡጥያራ ናብቲ ሓድሽ መሪሕነት ክእትውዎ መዲቦም ነይሮም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲ እቶም ዝውርድዎም ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ንዲናይን ንሳልሕ ሙሓመድ እድሪስን ክእትውዎም ሓሲቦም ነይሮም።"** ትብል።

ነቶም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ዘጋጠመቶም ቀዳመይቲ ጉዳይ ንጠቅላሊ መሪሕነት ንምኹናን ኣብቲ ጉባኤ ዘቅረብዎ ሓሳብ ተቐባልነት ምስኣኑ ኢዩ። ነቲ ካልእ ነጥቢታት ናይቲ ውጥን ንምትግባር ንመሪሕነት ምኹናን ንዓኦም ኣገዳሲ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ እቲ ምኹናን ምስ ተነጸገ፡ እቲ ዝተረፈ ጉዳያት ባዕሉ በብሓደ ፈሪሱ። ጉባኤኛታት ነቲ ኣብ መንጎኦምን ካልኦት ብጾቶም ኣባላት መሪሕነትን ዘሎ ሽግር ንኽፈልጡ ኣትሪሮም ሓቲቶምዎም። ከም ካብ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ወጺኦም፡ ዝብል ሓፈሻዊ ዘረባታቶም ንጉባኤኛ ክዕግቦም ምስ ዘይካኣለ ነቲ ዘሎ ሽግር ንምርኣይ ክሳተፉ ጸቒጦም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኢያ እታ 12 ዝኣባላታ ኮሚተ ዝቖመት።

እንተ'ቲ ብመሰረት ናይታ ደብዳበ ኣበሃህላ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብቲ ንዕለት 15-3-71 ክካየድ ዝተወሰነ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክሳተፍ'ዩ ዝበሎ ካብ ሓቂ ዝራሓቐ ኢዩ። ጉባኤኛታት እቲ ሽግር ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ክፍታሕ ድኣ ኢዮም ዘጸቕጡ ነይሮም እምበር ካልእ ሓድሽ ሽግር ክውስኹ ኣይኮኑን።

ብድሕሪ'ዚ ብቐጥታ እታ 12 ዝኣባላታ ኮሚተ ናብቲ ካልእ ወገን ናይ **"ጣሕራ"** ኢያ ተንቀሳቒሳ። ኣብ ባርካ ድማ ምስቲ ካብ **"ጣሕራ"** ዝመጸ ልኡኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ተራኺበት። ኣብ ቀዳማይ ርክቦም ድማ ክልቲኦም ወገናት ክዛረብሉ ዝኽእሉ ሽግር ከምዘየለ ክፈልጡ ክኢሎም። በዚ ድማ ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣብ ክፍላ ለካቲት 1971 ክካየድ ተወሲኑ።

በዚ ድማ **"ዑበላውያን"** ንካልኣይ ግዜ ፈሺሎም። እንተኾነ እዚ ካልኣይ ፍሽለቶም ኣብ ቅድሚ እተን ዘይጠራጠሩለን ዝነበሩ ዓሰርተ ሓይልታት ባርካ ኢዩ ወሪዱዎም።

ሕጂ **"ዑበላውያን"** ኣብ ቅድሚ ክልተ ሳልሳይ ዘይብሎም ምርጫታት ፊት ንግንባር ኢዮም ኮይኖም። ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ምስታፍ ወይ ሜዳ ምግዳፍ። ቀዳማይ ምርጫ ብምውሳድ ኣብቲ ብወተሃደራዊ ጉባኤ ዓዋተ ዝተፈልጠ ክሳተፉ ወሲኖም። እምባኣርከስ፡ ኣብ ጉባኤ ዓወተ ከረጋግጽዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ዕላማታት እንታይ'ዩ ነይሩ? ብኸመይ ክበጽሕዎኸ ይደልዩ ነይሮም? እንታይ ከ ጮቢጦም? መልሲ ናይዚ ሕቶታት'ዚ ኣብ ዝቅጽል ምዕራፍ እንዘንትዎ ክኸውን ኢዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ እቶም ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ንመራሒቲ ሓይልታት ናይቶም ኣብ **"ያበል"** ዘፍሸልዎም፡ ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንኽሳተፉ፡ ዝኾነ ጉድኣት ክበጽሖም ከም ዘይክእል ውሕስነት ከምዝሓተትዎም፡ ንሳቶም ድማ እንተ ድኣ ተሳቲፎም ጉድኣት ከምዘይወርዶም ቃል ከም ዝኣተውሎም ብሰፊሑ ተዛሪቡሉ።

**ዕላማታት ያበል፦**

ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ዕላማታት ናይዚ ብስም ቦታ ናይቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ጉባኤ ዝተካየደሉ **"ያበል"** ዝፍለጥ ምንቅስቓስ'ዚ ኣይተዛረብናን። እቲ ተዋሳኦ ገና ሰለዘይተወድአ ብዛዕባ ዕላማታቱ ምዝራብ እዋኑ ዘይኣኸለ ይመስል። ይኹን'ምበር ቀንዲ ኣካይዳ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብቲ ክሳብ ሕጂ ዝተዛረብናሉ ክልተ መድረኻት ብንጹር በሪሁ ሰለዘሎ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ኣቕረብናዮ ዘሎና መሰረታዊ ሓበሬታታት ካብ ኣእምሮ ኣንባቢ ከይጠፈአ ክሎ ብዛዕባ ዕላማታቱ ምዝራብ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርኣየና።

*“ዑበላውያን” ዋላ'ኳ ንምእዙዛት ካድራቶምን ደገፍቶምን ይዛረብዎ እንተ ነበሩ፡ ኣብ ክትዕና እንምርኮስሉ ዕላማታት ምንቅስቓሶም ዝገልጽ ብጽሑፍ ዝኣወጅዎ ሰነድ የለን። ኩልና ከም እንፈልጦ ድማ ጭብጢ ኣብ ዘይብሉ ጉጉይ ኣብ ባዕላዊ ግምታት ከይወደቅካ ብዛዕባ ዕላማታት ክትዛረብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ኣብ ቅድሚኣና ተግባራት ኣሎ። ከምቲ ዝበልናዮ ድማ ተግባራት እንተ ተረኺቡ ካብቲ ኣብ ግዜ ውድድራት ዝጸሓፍ ንሓቀኛ ዕላማታት ዝሓብእን ነቲ ዘይኮነ ዕላማ ዝያዳ ዘጉልሕን ሰነዳት ዝላዓለ ገላጺ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።*

*ዕላማታት ያበል ካብ ተግባራቶም ከመይ ጌርና ንንብቦ?*

*ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ ዝነብሩ ተጋደልቲ ክልተ ዘይፈላለይሉ ኣገዳሲ ፍጻመ፡ እቲ ንዓሰርተ ሓይልታት ባርካ ካብ ደቂ ካልኦት ከባቢታት ንምጽራይን ኣብ ክንድኦም ብደቂ ባርካን ጋሽን ንምትካእ ዝተወሰደ ኣሰገዳዲ ዕስክርናን ኢዩ ነይሩ። እዚ ፍጻመ እዚ ጥራይ ንበይኑ፡ እቲ ምንቅስቓስ ብቀዳምነት ዘተኮረሉ ንዕላማታት ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ ምርግጋጽ ምእዙዝ ዝኾነ ሓያል ኣውራጃዊ “ሰራዊት ሓርነት” ንምቛም ምዃኑ የረድኣና ኢዩ።*

- *እንተ'ቲ ድርኪታት፡* (1) *ካልኦት ወገናት ስልጣን ናይ ተ.ሓ.ኤ ንከይቆጻጸሩ በቲ ን*30-11-1970 *ዝመደብዎ ዕልዋ ናይ ሓይሊ መደበራቶም ምድኻም። ንኣብነት ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዳን ጉጅለኡን* (*ሳልሕ ሓዮቲ፡ ዓብደላ እድሪስን ካልኦትን*) (2) *ምንቅስቓስ ዑስማን ኣብ ደንከል በቲ ዝነበሮ ዓቢ ዓቕሚ ማዕቢሉ ኣብ ሜዳ ዓብላልነቱ ኣረጋጊጹ ንዕኦም ኣዳኺሙ ስልጣን ከይምንጥሎም ምስግኦም።*
- *እቲ መምኽንይታ ድማ፡ ከምቲ ኣብ ውሳነታት ኣኼባ ከሰላ ሰፊሩ ዘሎ ንጠቅላሊ መሪሕነት ካብ ውሳነታት ጉባኤ ኣዱብሓ ወጺኡ ኢልካ ምኽሳስ ኢዩ።*
- *እንተ'ቲ ሓይሊ ንምህናጽን ንዝደልይዎ ፖለቲካዊ ዕላማ ንምርግጋጽን ዝተኸተልዎ ፖለቲካዊ ኣገባብ፡ ኣብቲ ዝነበረ ውድድር ምስ ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ግዝያዊ ኪዳን ኣቀምካ ላዕለዋይ ኢድ ምርግጋጽ ኢዩ። እቲ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ኣብ ኣኼባ ከሰላ ዘቆምዎ ማእከላይ መሪሕነት ድማ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ኢዩ።*

*እቲ ምንቅስቓስ ሽቶኡ ቀቢላዊ ወይ ኣውራጃዊ ኣይነበረን። ከም በዓል ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዑስማን ዓጂብን ነቲ ዝነበሮም ጡሙሕ ናብ ደረጃ ቀቢላ ወይ ኣውራጃ ከተውርዶ ኣይካኣልን ኢዩ። ንሳቶም ብናይቲ እዋን'ቲ መዓቀኒታት ካብ ኩሎም'ቶም ሰውራ ንምምራሕን ኣብ ውሽጡ ፖለቲካዊ መስመሮም ንምዕዋትን ዝብህጉ ዝነበሩ ባእታታት ዝተሓቱ ኣይነበሩን።*

*ምህናጽ ኣውራጃዊ ሰራዊት፡ ከምቲ ገለ ወገናት ዝብልዎ ቀቢላዊ ዘይኮነ፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምስ ኩሉ ክንፈታቱ ንምቁጽጻር ዝተጠቅምሉ ኣገባብ ወይ ሜላ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣገባብ እዚ ድማ ኣብ ሳልሳይ ዓለም ልሙድ ኢዩ።*

*ቁሩብ ሓቂታትን ብዙሕ ዝተጋነነ ፖለቲካዊ ጥበራን* (Illusions) *ነይሩ ኢዩ። ገለ ካብኡ፡ እቲ ሰውራ ዝተኮሰ ባርካ ኢዩ፡ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ዋጋ ዝከፈለ እውን ንሱ ኢዩ ዝብል ፕሮፖጋንዳ ብዙሓት የዋሃት ንምክሳብ ዝተጠቅምሉ ሜላ ኢዩ። ከምኡውን ባርካ ዓቢ ቀጠባውን ሰብኣውን ዓቕሚታት ኣለዎ፡ ንምንቅስቓሶም ናብ ዘይከኣል ዓቢ ወተሃደራውን ነገራውን ሓይሊ ከቅይሮም ይኽእል ኢዩ ዝብል ስምዒቶም ኣጉል ተስፋታት የማዕብል ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶም ድማ ነዚ ኩሉ ብልጫታት ገዲፍካ፡ ካልኣዊ ሚዛን ንዘለዎም መሪሕነታት ምቅባል ምኻኑይ ዘይኮነ*

ኢ.ድካ ምሃብን ምእንቲ ውድዓውን ባህርያውን መሰልካ ካብ ምቅላስ ምፍራሕን ከም ዝኾነ ይርኣዮም ነይሩ።

**ጠንቂ ፍሽለት "ያበል"፡**

ጠንቂ ፍሽለት ናይቲ ምንቅስቓስ ካብ ክልተ መሰረታውያን ረቛሒታት ኢዩ ዝብገስ።

- ቀዳማይ ረቛሒ፡ እቲ ኣብ ዘመነ ክፍልታት ኣብ ውሽጢ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝተካየደ ጽብለልትነት ድሑር ኣተሓሳስባታት ንምህራም ዝዓለመ ቃልሲታት ኢዩ። እቲ ተመኩሮ'ቲ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ብዘይ ዕቃበታት ናብ ዘተታትን ክትዓትን ንኽኣትው ሃገራዊ ዕምቆት ዝዓብለለሉ ክፉት ፖለቲካዊ ሃዋሁው ኣብ ምዝርጋሕ ሓጊዙ። ምንቅስቓስ "ያበል" በቶም ብኣቓውማኦም ንመሪሕነት ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝመሰለሉ መራሕቱ ምስ ጀመረ ድማ እቲ ሕሉፍ ተመኩሮ ከም እንደገና ኣብ ኣተሓሳስባታት ከምለስን ኣብ ልዕሊ'ቲ ምንቅስቓስ ካብ መጀመርታ ናይ ሕቶ ምልክት ክልዕልን ጀሚሩ። ስለዚ ድማ እቲ ባይታ ንተቓወምቶም ምቹእ ነይሩ።
- ካልኣይ ረቛሒ፡ ቦታ መራሕቲ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ ድኹም ምንባሩ ኢዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዘንበብናዮ ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዑስማን ዓጂብን ብፍላይ ኣብቲ ኣብ ቀዳመይቲ ክፍለ ዝካየድ ዝነበረ ቁርቁሳት ብኣረኣእያ ተጋደልቲ ከም ኣብነታውያን ዘፍለጦም ኣወንታዊ ተራ ኢዩ ነይርዎም። መስርሕ ሰውራ ንምእራምን ቅኑዕ መስመሩ ንምትሓዝን ድማ ምስ ብዙሓት፡ ገለ ካብቶም ዝጠቐስናዮም ደቒ'ቲ ክፍሊ፡ ኣብ ቃልሲ ከም ኣብነት ዝግለጹ ኢዮም ነይሮም። በዚ መሰረት ከኣ ናይታ ክፍሊ ተጋደልቲ ካብኣቶም ብዙሕ ኢዮም ዝጽበዩ ነይሮም።

ሕጂ ግን፡ ቋንቋኦምን ኪዳናቶምን ተቐይሩ። ሰለዚ ድማ ልዕሊ'ዞም ክልተ ሰባት ብፍላይ ብዛዕባ ዕላማታት ናይቲ ምንቅስቓሶም ድማ ብሓፈሻ ካብ መጀመርታ ጥርጣረታት ክዝንቢ ጀሚሩ።

ድሕሪ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሓይልታት ባርካ ዝተኻየደ ምጽራይን ወተሃደራዊ ኣቓውማ ናብቲ ናይ ቀዳመይቲ ክፍሊ ዝነበሮ ኣቓውማ ምስ ተመልሰን ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን መሪሕነት ናይተን ዓሰርተ ሓይልታት ዝካየድ ዝነበረ ዘተታትን ክትዓትን ነቲ ዝተሰግረ ጉዳያት'ዩ ዘልዕል ነይሩ። ነገራት ናብቲ ናይ ቅድም ሰለዝተመልሰ ድማ እቲ ክትዕ ከም ብሓድሽ ብዛዕባ ቃልሲ ምእንቲ ሓድነት ሰውራ ኮይኑ።

* * *

ኣሕመድ ኣደም ዑመርን ዑስማን ዓጂብን ካብ ሕሉፍ ታሪኾም ምግላሶም ንምጥቅያም ቀሊል ዝኾነ ዕላማ ገይሩዎም። ብናታቶም መጥቃዕቲ ከኣ ምንቅስቓሶም ተጠቒዑ።

መራሕቲ "ያበል" ንኽውንነትን ተመኩሮን ብቕኑዕ ከንብብዎ ዘኽእሎም ታሪኻዊ ስምዒት ኣይነበሮምን። ንኣብነት ንሓይልታት ባርካ ካብ ደቂ'ቲ ቦታ ዘይኮኑ ተጋደልቲ ንምጽራይ ዝዓይነቱ ዝተወሰደ ደፋር ስጉምቲ ንኽዕወት ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ክውንነት ዘይነበረ ውሕስነታት ዝሓትት ኢዩ ነይሩ። በዚ ድማ እቲ ዝወርወርዎ ኵናት ናብኦም ተመሊሱ። ምንቅስቓስ "ያበል" ነዊሕ ኣይጸንሓን። እዚ ንዛረበሉ ዘሎና ጉባኤ "ያበል" ዝፈሸለላ ማዓልቲ ኢዩ ፈሺሉ። እንተ'ቲ ኣብ ዝቕጽል እንዛረበሉ ዝስዓበ ፈተነታቶም ካብ ድርቅና ዝነቐለ ቀቢጻዊ ፈተነታት ጥራይ ኢዩ ነይሩ።

ምስዚ ኩሉ ግን፡ ምንቅስቓስ "የበልን" ምዕባለታቱን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ነቐዓት ብምፍጣርን ጉባኤታቱ ብምዕንቃፉን ዓቢ ጉድኣት ኣውሪዱ ኢዩ።

ኣብዚ ድማ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ነቕርብ፡ እቲ ኣኸባ ከሰላ (ኣብ መንጎ ምብራቕን ምዕራብን) ዝወሰኖን ዑስማን ዝተቐበሎን ኪዳን እንተ ዝዕወት ነይሩኽ ሰውራ እንታይ ዓይነት መልክዕ ምሓዘ ነይሩ?

# 12. ፍሹል ፈተነ ቅንጸላ

ብመሰረት ውሳነ ኣኸባ "ኩልንቴባይ" ሰለስተ ወተሃደራዊ ግንባራት ቆይሙ ነይሩ። ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዓብደላ እድሪስ ድማ ምስ ገለ ኣባላት መሪሕነት ኣብ ሓምለ 1970 ናብ ምብራቓዊ ግንባር ከይዱ።

ምስ ናታቶም ኣብኡ ምህላው ከኣ፡ ቀዳሞት ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ኢጋ መወዳእታ ናይቲ ዓመት'ቲ ካብ ደንከል ኣብ ስምሃርን ገማግም ኣኮለጉዛይን መጺኣን።

ብዙሓት ናይተን ኣሃዱታት ተጋደልቲ በቲ ኣብ ውሽጢ መሪሕነቶም ዝነበረ ፍልልያትን እቲ ውድብ ኣብ ደንከል ዝሕለፎ ተመኩሮን ተተንኪፎም ነይሮም ኢዮም። ኣብ ውሽጢ'ተን ኣሃዱታት ድማ ክልተ ምዕባለታት ተራኢየን፣

1. ካብ 12-15 ዝበጽሕ ቁጽሮም ናብ ተ.ሓ.ኤ. ኢዶም ሂቦም። መብዛሕትኦም ካብ ጋንታ ኣቡጥያራ ኮይኖም ኣብ ውሽጦም ግን ካልኦት ባእታታት ነይሮምዎም።
2. ካብ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ዝቆመት ካልእ ጉጅለ ድማ ናብ ጸላኢ ኢዳ ሂባ።

እተን ኣሃዱታት በቲ ኣብ ደንከል ዝሓለፍኦ ውግኣትን ፍልልያትን ደኺመን'ኳ እንተነበራ፡ ብዕጥቐን ግን ካብ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ ብልጫ ነይሩውን። ኣቓውመኣን ድማ ብርኡይ ናይ ቅድም ኣቓውማ ራብዓይቲ ክፍሊ ዝዓብለሎ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ዝተራእየ ናይ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ምስላማት፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ተሪር መርገጺ ዝነበሮ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ስለዘተባብዖ፡ ሓደገኛነቱ ከየሰፉሕፍሐ እንከሎ ንኣሃዱታት ናይቲ ውድብ ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምድምሳሶም ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ከይሓበረ ወይ ከየማኸረ ብውልቁ ውሳነ ብምሕላፍ ዝተፈልያ ኣሃዱታት ነቲ ውሳነ ክትግብራ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። እንተኾነ ግን መራሕቲ ናይተን ኣሃዱታት ትእዛዙ ብምቁዎም ንትግባረኡ ነጺጎምዎ። በዚ ድማ እቲ ፈተነ ፈሺሉ።

ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት በቲ ንምርግጋጹ ክውንነት ዘየፍቅዶ ዝነበረ ውልቃዊ መርገጺታቱን ድሌታቱን ተደሪኹ ኢዩ ነቲ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ንተርእዮ ምፍንጫል ኣብ ውሽጢ ውድብ፡ ብፍላይ ከኣ ነቲ ምስ ሓደ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ ተኣሳሲሩ ዝነበረ ተርእዮ ህ.ሓ.ሓ. ይነጽግዎ እኳ እንተነበሩ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት በቲ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ምዕቃብ ጥራይ ዘይኮነ ውሽጣዊ ሓድነቱ ከም መሪሕነት ኣብ ምውሓስ እውን ዘርእዮ ዝነበረ ተደጋጋሚ ፍሽለታት ኣብ ልዕሊኡ ቁጥዐ ነይርዎም። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ጠንቂ ናይቲ ናብ ምፍንጫል ዘብጽሐን ገና ንተወሳኺ ምፍንጫላት ዘሰግእን ዘሎ ፍልልያት ንተጋደልቲ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ንመራሕቲ ብሩህ ኣይነበረን። ሰለዚ ድማ ምስዞም ክሳብ ትማሊ ቀረባ ምስኦም ዝነበሩን ብኣስማቶም ዝጽውዕዎምን ተጋደልቲ ኣብ ኵናት ምእታው ንዘይንጹር ዕላማ ኣብ ምርግጋጽ መሳርሒ ከይኮኑ ሰለዝሰግኡ ኢዮም። እቲ

ዓብላሊ ዝነበረ ርእይቶ ምስዘን ኣሃዱታት ኣብ ዘተ ምእታው ዝብል ነይሩ። እቶም ብቁጽሪ ዝወሓዱ ተጋደልቲ ናይተን ኣሃዱታት ዘቅርብዎ ዝነበሩ ነቲ ጉዳይ ብሰላማዊ ኣገባብ ምፍታሕን ዝብል ሰለዝነበረ ኣብ ክንዲ ናይ ተጻብኦን ጽልኢን መንፈስ ናይ ሰላማዊ ፍታሕ መንፈስ ኢዩ ፈጢሩ።

ይኹን'ምበር ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን መራሕትን ነቲ ተርእዮ ብወተሃደራዊ ኣገባብ ንምድምሳሱ ዝደሊ ዝነበረ ወገን ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ካብ ተጋደልትን መራሕትን ነቲ ተርእዮ ትም ኢልካ ምርኣይን ንኸዓቢ ዕድል ምሃብን ኣብ መጻኢ ሓደገኛ ዕንቅፋት ከም ዝኸውን ይራኣዮም ነይሩ ኢዩ።

ወረ ናይቲ ፈተነ ቅንጻላ ኣብ ሜዳ ብቅልጡፍ'ዩ ተዘርጊሑ። ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ድማ ዝድግፍዎን ዝቓወምዎን ብምኳን ብርቱዕ ክትዕ ኣልዒሉ።

እቶም ነቲ ፈተነ ብዝያዳ ንምምዝማዝ ዝፈተኑ፡ ወገን ዐበላውያን ኢዮም። ንሳቶም ነቲ ወረ ጨቢጦም ብዛዕባ ናይ ቅንጸላ ኣተሓሳስባን ንሜዳ ብደም ኣሕዋት ንምጭቃውን ኣመልኪቶም ብሰፊሕ ተዛሪቦምሉ። እዚ ከኣ ናብ ረብሓ ናይ ምፍንጫል ዕላማታቶም ንምውዓል ዝመዝመዝዎ ሓያል ምጉት ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ተቓወምቶም፡ ነቲ ንካልኦት ኣብቲ ምርጫ ዝቐደምዎም ብምክልኻል ንዕላማታቶም ዝገብርዎ ዝነበሩ ምክልኻል ብምቅላዕ ይምልሰሎም ነይሮም።

እዚ ተመኩሮ እዚ፡ ንተርእዮ ምፍንጫላት ገድብ ንምግባር ሓደ ካብቲ ምርጫታት ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ምኳኑ ከም ምርጫ ኣቕረቦ።

## 13. መርገጺታት ናይ ቅድም መራሕቲ

**ወገን ክልተ እድሪሳት ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ፡** ድሕሪ'ቲ ምስዚ ወገን'ዚ ዘጋጠመ ፍልልያት ከም ውጽኢቱ ጠቅላሊ መሪሕነት ካብ ክልቲኦም ወገናት መርገጺኡ ብንጹር ዘብርሃሉ ብ12-4-1970 ዘውጽኦ ኣዋጅ መሰረት ምስዚ ወገን'ዚ እውን ተበቲኹ። እድሪስ ገላውዴዎስ ዓቕሚታቶምን ትሕዝቶታቶምን ካብ ዓቕሚን ትሕዝቶን ዑስማን ከምዘይንእስ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ንምንቅስቓሳት ዑስማን ኣብ ወጻኢ ንምምካት ጠቅላሊ መሪሕነት ብኣቦ መንበርነት እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ፖለቲካዊ ኣካል ኸቕውም ንዘቕረቦ ሓሳብ ነጺጉዎ። እዚ ወገን እዚ ላዕለዋይ ኣካል ውድብ ክኸውን ኣይጠለቦምን። ይኹን እምበር ጠቅላሊ መሪሕነት ንጠለባቱ ብምንጻግ፡ ንህልው መርገጺታት ኣብ ግምት ዘይእቱ ምስ ሕሉፍ ተመኩሮ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተኣሳሰር ትርጉም ሂቡዎ። በዚ መሰረት ከኣ እዚ ወገን'ዚ ኣብቲ ኣብ መንጎ ጠቅላሊ መሪሕነትን ወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብ ላዕለዋይ ባይቶን ዝካየድ ዝነበረ ውድድር ቦታ ዘይብሉ ምህሙን ኮነ።

ድሕሪ ንገለ እዋናት ምጽባይ እዚ ወገን'ዚ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ ናብ ምንቅስቓስ "ያበል" ተጸንቢሩ። ነቲ ናይ ሜዳ መራሕቱ ዘዳለውዎ ናይ ኪዳን ፕሮግራም ምስ ዑስማን ብምቅባል ድማ መራሒኡ ኮይኑ። ጡሙሕ ኣቦ መንበር እድሪስ ግን ነዊሕ ከይጸንሓ ምስ ምፍሻል ናይ ሜዳ መራሕቲ ኣብ ምትግባር ነቲ ናይ ዕልዋ መደብ ብቐጥታ ፈሺሉ። እዚ ድማ ንዝምድናኡ ምስ መሪሕነት "ያበል" ብኣሉታ ዝጸለወ ሓማቕ ኣሰር ገዲፍሉ። ከም ውጽኢቱ ድማ ካብኦም ስሒቡ ምስኦም ኣብ ዝቅጽል ምዕራፍ እንገልጾ ናብ ዓሚቕ ፍልልያት ኣትዩ።

እንተ'ቶም ሰለስተ ካልኦት፡ እድሪስ ገላውዴዎስ፡ ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ክሳብ'ቲ ብመሰረት ውሳነታት ጉባኤ ኣዶብሓ

ክሳተፍዎ ዘፍቅደሎም ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየድ ካብቲ ውድድር ርሒቆም ክጸንሑ ኢዮም ወሲኖም።

**ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት**፡ ምናልባት ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ከም ውልቀ ሰባት፡ ክሳብ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ "**ክድስክሉ**" ጉባኤ ኣዶብሓ ዘሕለፎ ውሳነ ኣሕሪቑዎም ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ስምዒታቶም ብዘየገድስ ግን ተራኦም ካብ ነዊሕ ግዜ ደስኪሉ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተራእየ ንኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ዝጥርነፍ ፍሉይ ጡሙሓት ወይ ድሌታት ስለዘይነበረ ኣብ ቅድሚኦም ብዘይካ ነቲ ክውንነት ምቕባልን ምጽባይን ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ከምኡውን እቲ ብውሳነታት ኣዶብሓ ተገዚኡ ዝነበረ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ከም ዘየስግእዎ ስለዝተረድአ ኣቓልቦ ኣይገበረሎምን። ሰለዚ መመገዶም ወሲዶም። ገለ ካብኣቶም ናብ ሰራዊት ሱዳን ተመሊሶም (ኣሕመድ ሙሓመድ ዓሊ ዒሳ) ገለ ድማ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ክጽበዮ መሪጾም። እንተ ኣቦ መንበሮም ሙሓመድ ስዓድ ኣደም ናብ "**ያበል**" ኢዩ ተጸንቢሩ። እዚ ድማ ንዝኾነ ሸነኽ ሃንደበት ኣይነበረን። እንተ ኣዜን ያሲን በቲ ዝነበሮ ውልቃዊ ዓቕምታትን ኣባል ሰልፊ ዕዮ ሰለዝነበረን ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ትሕቲ'ቲ ብዑስማን ዓጂብ ዝምራሕ ቤት ጽሕፈት ካርቱም ዝመሓደር ክፍሊ ዜና ምስ ኣቐመ ኣብኡ ንኽሰርሕ መዲቡዎ።

**ናይ ቅድም መራሕቲ ክፍልታት**

1. መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ሙሓመድ ዓሊ ዑመሮ ናብ "**ሶዶሓዲላ**" ብምኻድ ናይቲ ምንቅስቓስ መራሒ ኮይኑ።
2. መራሒ ሓሙሸይቲ ክፍሊ ኣብርሃም ተወልደ ናብቲ ድሮ ተፈንጪሉ ዝነበረ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተጸንቢሩ።
3. መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ ማሕሙድ ዲናይ ናብ "**ያበል**" ተጸንቢሩ።
4. መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝነበረ ዓብደልከሪም ኣሕመድ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጽበ ኮይኑ።
5. መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊ ሙሓመድ ዑመር ኣደም እውን ሃገራዊ ጉባኤ ዝጽበ ኮይኑ።

ከምዚ ኢሉ ድማ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ጉዳይ ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን መራሕቲ ክፍልታትን ብውሳነታት ጉብኤ ኣዶብሓ ብምቕያዱ ነዞም ሓይልታት እዚኣቶም ምግጣም መሪጹ። ገለ ካብኣቶም ብትሪ ክምክትዎ ከለው። ገለ ድማ ጌጋታቱ ወይ'ውን ዘዛረብ ናይ ተጻረርቱ ዘመተታት ብምእራይ ብዛዕባ ፍሽለታቱ ክዛረቡን ደስትኦም ክገልጹን መሪጾም።

# 14. ሓፈሻዊ ወተሃደራዊ ኩነታት ኣብ ዓመታት 1969 - 1970

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዓመተ 1969፡ 1970 ዝተፈጸመ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንኽትዛረብ ኣጸጋሚ ኢዩ። እቲ ምኽንያታት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ኣብዘን ዝተጠቕሳ ክልተ ዓመታት ዝተፈጸመ ወተሃደራዊ ፍጻመታት ምሉእ ብምሉእ ዘይምስናዱ ኢዩ። እቲ ጠንቂ ከኣ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ጸግዒ ስሉሳዊ ሓድነት ብምሓዙ፡ ኣብቲ ዝቀጸለ ድማ ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነት ደው ብምባሉን፡ ንሱ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ መጽሄት "**ሰውራ**"ን ዝተፈላለየ ዝወጽኡ

ዝነበረ ጽሑፋትን ብምጥቃም፡ ነቲ ብወገን ስሉሳዊ ሓድነት ዝፍጸም ዝነበረ ስርሒታት ክውጽእ ከሎ፡ ነቲ ናይ'ቲ ሓደ ወገን ግን መብዛሕትኡ ግዜ ይኀስዩ ሰለዝነበረ ኢዩ።

2. ካብ እዋን ስሉሳዊ ሓድነት ክሳብ ጉባኤ ኣዶብሓ፡ እቲ ክልተ ክፍልታት ክፍሊ ዜና ሰለ ዘይነበረን፡ ወተሃደራዊ ፍጻመታተን ይሰነድ ብዘይምንባሩ ኢዩ። ጠቅላሊ መሪሕነት ምስ መጸ እውን ደንገዩ'ዩ ክፍሊ ዜና ኣብ ካርቱም ኣቑሙ። ድሕሪ ምቛሙ'ውን እንተኾነ ኣብቲ ምስ ላዕላዋይ ባይቶ ዘካይዶ ዝነበረ ቁርቁስ ጥራይ የተኩር ብምንባሩ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ዝተፈጸመ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብደቂቕ ኣይተሰነደን።

   ምስዚ ኩሉ ግን ብዛዕባ ወተሃደራዊ ምዕባለታትን ኣንፈታቱን ሓፋሻዊ ስእሊ ክህብ ብዝኽእል ናይዞን ዝተጠቕሳ ክልተ ዓመታት ወተሃደራዊ ኩነታት ክዝረብ ይካኣል ኢዩ።

- ካብቲ ስሉሳዊ ሓድነት ዝተረጋገጸሉ እዋን ክሳብ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝተራእየ ቀንዲ ወተሃደራዊ ምዕባለታት እቲ ኣሃዱታት ስሉሳዊ ሓድነት ኣንጻር ጸላኢ ዘካየድኦ ብመጠኑ ዓቢን ብዙሕን ወተሃደራዊ ግጥማት ኢዩ። ኣብቲ ዝተኻየደ ውግኣት ስሉሳዊ ሓድነት ንሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ኩነታት ኣንጻር ረብሓኦም ከምዕብል ተኽእሎ ከምዘሎ ዓቢ ስግኣት ዘሕደረሉ ድሙቕ ዓወታት ኣመዝጊቡ። እቲ ውግኣት ብሰንኪ ጸላኢ ነቲ ዝተረጋገጸ ሓድነት ንምብርዓን ክብል ነቲ ሰሚሩ ዝነበረ ኣሃዱታት ስሉሳዊ ሓድነት ንምህራም ዝተኸተሎ ወተሃደራዊ ውጥን ዝመጸ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ጸላኢ ኣብቲ ዝሓንጸጸ ውጥን ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሰብን ንዋትን ዓቢ ክሳራታት ኢዩ ወሪዱዎ። እቲ ውግኣት ኣብ **"ዓይለት" "ገምሆት" "ግድግድ"**ን ካልእ ከባቢታት ሰምሃርን ከምኡ ድማ ኣብ ኣከለጉዛይ ኣብ ከባቢታት **"ነበገደ" "ሰንዓፈ"**ን **"ዓዲቀይሕ"**ን ክሳብ ደንካልያን ኢዩ ተኻይዱ።

እቲ ግጥማት ኣብ ወተሃደራዊ ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ብሓቂ ድሙቕ ነጥቢ ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን መገዲ ምሉእ ዓወት ንምሕጻር ኣድማዕነት ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ኣመስኪሩ። ይኹን'ምበር ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ብደረጃ'ቲ ስሉሳዊ ሓድነት ዘካየዶ ወተሃደራዊ ግጥማት ኣይኹን'ምበር ወተሃደራዊ ዓቕሚ ጸላኢ ኣብ ምድኻም ኣበርክቶ ዝነበሩ ብርክት ዝበለ ወተሃደራዊ ተበግሶታት ነይሩ ኢዩ።

- ኣብ 1970 ዝተፈጸመ ቀንዲ ምዕባለታት ድማ እተን ክልተ ኣብ መጋቢትን ጥቅምትን ዝተኻየደ ዓበይቲ ስርሒታት ኢየን።
    - ኣብ መጋቢታ ዝተኻየደ ኵናት **"ለኮታት"** ውሩይ ኵናት ኢዩ ነይሩ። ኣገዳስነት ናይዚ ኵናት'ዚ በቲ ንኣስታት ክልተ ስሙን ዝጸንሐ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝግለጽ ጽንዓት ሰራዊት ሓርነት ዝተመስከረሉ ኵናት ብምኻኑ እውን ኢዩ። ኣብ ጥቓ ከተማታት ከረንን ኣቑርደትን ኣብቲ ቀንዲ ንክልቲኣን ዝተኣሳሰር ጽርግያን ኢዩ ተኻይዱ። ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ካብቲ ኵናት ብዘዕግብ ውጽኢት ንኽወጹ ዝከኣሎም እኳ እንተ ፈተኑ፡ ኣብ መጨረሽታ ግን ዋላ ሓንቲ ክገብሩ ሰለዘይከኣሉ ኣዝሊቆም ንከተማ ከረን ክምለሱ ኢዮም ተገዲዶም። እቲ ኵናት ድሕሪ ምትሕንፋጽ ሰራዊት ሓርነት ብቐጥታ ዝተኻየደ ሰለዝነበረ ኣድማዕነት ስምረት ሰራዊት ሓርነት ዘረጋገጸ ኢዩ ነይሩ።

- ካልኣይ ስርሒት ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ መንጎ ከተማታት ኣሰመራን ከረንን ምስቲ ንመራሒ ካልኣይ ክፍለ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ "ተሾመ እርገቱ" ዘሰኒ ዝነበረ ኣሃዱታት ጸላኢ ዝተኻየደን ንሱ ዝሞተሉን ኢዩ ነይሩ። እቲ ኵናት እቲ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓቢ ሰንባደ ዝፈጠረ ኵናት ኢዩ ነይሩ።

ብዘይካ'ዚ እውን ከምቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ብዛዕባኡ ዝተሰነደ ነገር የለን እምበር ኣብ ካልእ ከባቢታት እውን ዝተኻየደ ብመጠን ዝፈላለ ብዙሕ ስርሒታት ነይሩ ኢዩ።

* * *

ኣብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ፡ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብዘይካ'ቲ ካብ 1962 ክሳብ መጨረሽታ 1964 ኣብ ዘሎ ግዜ ዝተፈጸመ፡ እቲ ኣብ እዋን ወተሃደራዊ ክፍልታት ወይ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተኻየደ ኩሉ ግዜ ካብቲ ክግበር ዝነበሮ ንታሕቲ ኢዩ ነይሩ። ቁጽሪ ሰራዊት ሓርነት ብቀጻሊ ይዓቢ ነይሩ። ደረጃ ዕጥቁ እውን እንተኾነ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይመሓየሽ ነይሩ ኢዩ። ከምኡውን ዕጥቂ ናይቲ ብጦር ሰራዊት፡ ኮማንድስን ሓይልታት ፖሊስን ዝቆመ ሓይሊ ጸላኢ ብዙሕ ዝጋነን ኣይነበረን። ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ እቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ተመኩሮታታ ዝሕለፈቶ ናይ መሪሕነት ሽግራት፡ ካብ መጀመርታ ወተሃደራዊ ሰርሒታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ግዜ ክፍልታት ኣብ ውልቃዊ ተበግሶታት ናይ መራሕቲ ኣሃዱታት ከም ዝምርኮስ ገይርዎ። ኣብቲ ዝተፈጸመ ስርሒታት ብደረጃ ላዕለዎት መራሕቲ ዝተወጠነ ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ድማ ናብ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምዝንባሎም ዘብለጭልጩ መራሕቲ፡ በቲ ካልእ ድማ ክትዛረበሉ እትኽእል ወተሃደራዊ ተራ ዘይነበሮም መራሕቲ ኢዮም ነይሮም።

ቀጻሊ ምንቅስቓስ ሰራዊት ሓርነት ብዘይ ንጹር ዕላማ ኣብ ምግጣም ጸላኢ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ዓቅሊጽበትን ቃልሲ ምግዳፍን የስዕብ ነይሩ። ምስ ግዜ ድማ ኣብ መሳርዕ ሰራዊት ሓርነት ምስላፍ ብወገን ዜጋታት  እንዳተዳኸመ መጺኡ። ነዚ ጸገም እዚ ንምቅላል መራሕቲ ኣሃዱታት ነቲ ብሰንኪ ንቃልሲ ምግዳፍ ዝተፈጥረ ሃንፍ ንምምላእ ዳርጋ ኣሰገዳዲ ዝኾነ ዕስክርና ብምጥቃም ንተስለፈቲ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታቶም ይዕልምዎም ነይሮም።

ጠቅላሊ መሪሕነት እውን እንተኾነ ነቲ ሽግር ክፈትሖ ኣይከኣለን፡ በቲ ናይ ቅድም ኣገባብ ኢዩ ቀጺሉ። ኣብ ኩሉ ተመኩሮ ጠቅላሊ መሪሕነት ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝመርሕን ወተሃደራዊ ውጥን ዘዳልወሉን ትግባረኡ ዝከታተልን ወተሃደራዊ መሪሕነት ነይሩ ኢዩ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን።

ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ድሕሪ ጉባኤ ኣዱብሓ ካብ ሜዳ ምርሓቑን ብዘይክኡ ካልኦት ከከይድዎ ዝኽእሉ ዝነበሩ ናብ ናይ ወጻኢ ስራሕ ምዝንባሉን ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንምምራሕ ንጹር ራኢዩ ክህልዎ ብዘይምክኣሉን ብደረጃ ጠለባት ናይቲ መድረኽ ዝኻይድ ኣገባብ ወተሃደራዊ ኣምራርሓ ንኽይምዕብል ቀንዲ ጠንቂ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ዓቅሚ ናይቲ ድሕሪ ምትሕንፋጽ ዝተመሰረተ ዓቢ ሰራዊት ክባኽን ተራእዩ። ብዘይካ'ቲ ንዝተጻወቶ ተራ ኣቃሊልካ ዘይርኣ ውልቃዊ ተበግሶታት፡ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ መብዛሕትኡ ግዜ ብዘይ ዕላማ ዝንቀሳቐስ ሰራዊት ኮይኑ።

ኵናት "ለኮታት" ዓቅሚ ጸላኢ ንምግምጋምን ኣብኡ ተመርኪስካ ድማ ወተሃደራዊ እስትራተጂን ውጥናትን ንምምዕባል ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ዘሕዝን ብሰንኪ ቁርቁሳት መሪሕነትን ንኵናት "ለኮታት" ኣብቲ ቁርቁሳት ምእታውን ነቲ ዕድል ኣጥፊእዎ።

ኣብ ምምራሕ ወተሃደራዊ ስራሕ እቲ ዝኸፍኣ ናይ መራሕቲ ውድድር ኢዩ። ወተሃደራዊ ስራሕ ብባህርያቱ ናይ ተወፋይነትን ሂወት ምኽፋልን ስራሕ ኢዩ። እቲ ዝመረረ ንተጋደልቲ ድማ ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ ንናይ ስልጣኑ ውድድር ዝጥቐመሎም መሪሕነት ሂወቶም ክኸፍሉ ከለው ኢዩ። ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ነቲ መራሒ ሰራዊት ሓርነት ንኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ንምህራም ዘመሓላለፎ ትእዛዝ ምንጻገን ጸግዒ ናይ ተፈንጨልቲ ሰለዝወሰዳ ዘይኮነስ፡ የግዳስ ኣብቲ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝዛረብን ኣብ ስራሕ ድማ ብተገራጫዊ ኣገባብ ዝመጽእን ውሳነታት መሪሕነቶም እምነት ሰለዘይነበሮም ኢዩ።

ልክዕ'ዩ ጠቕላሊ መሪሕነት ተራኡ ንኽይጻወት ብዙሕ ዘሻቅሎ ናብ ምፍንጫልን ፕሮጀክቲታት ምፍንጫላትን ዝማዕበለ ጎናዊ ፖለቲካዊ ውግኣት ብክልተ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ገጢምዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ኣይነበረን። ወገን "ሶዶሑዲላ" ክሳብ መጨረሽታ 1970 ውሑዳት እንተዘይኮይኖም ብዙሓት ተጋደልቲ ኣይተሰለፍዎን። ከምኡውን እቲ ድሕሪ ኣኸባ "ኩልንቴባይ" ናብ ምፍንጫል ንጹር ዝምባለ ዘርኣየ ወገን "ያበል" ንሓይልታት ባርካ ኣንጻር ጸላኢ ንከይዋጋኣ ክኽልክልወን ኣይምኻኣሉን ነይሮም። ጠቕላሊ መሪሕነት ብወተሃደራውን ፖለቲካውን መዳይ ንሰራዊት ሓርነት ኣብ ምምራሕ ዓቕሙ እንተ ዘመስክርን ኣንጻር ጸላኢ ወተሃደራዊ ግጥም ኣብ ምምራሕ ብቁዕ መሪሕነት ምኻኑ እንተዘረጋግጽን ነቲ እናበዘሐ ዝኸይድ ዝነበረ ምፍንጫላት ከጽብቦን ክቆጻጸሮን ምኽኣለ ነይሩ። ንሱ ወተሃደራዊ ዓቅምን ብቕዓትን ኣይሰኣነን። ኣባላቱ ንባዕሎም ናይ ኣመራርሓ ዓቅሞምን ተመኩሮኦምን ኣቃሊልካ ዘይጥመት ወተሃደራዊ ካድራት ኢዮም። እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ እዋን እቲ ኩለን ኣሃዱታትን መራሕተንን ሙሉእ ተማእዛዝነት የርእዩ ነይሮም ጥራይ ዘይኮነስ ካብ መንፈስ ሓድነት ተበጊሶም ነቲ ዘይምኽኑይ ጌጋታቶምን ተግባራቶምን እውን ይጸወሩ ነይሮም።

ወተሃደራዊ እስትራቲጂ ምሕንጻጽን ምትግባርን ንንቅሓት ናይ ተጋደልቲ ክብ ዘብል ፖለቲካዊ ስራሕ ምክያድን ንጥቅሚ ሰውራ ዘምጽኦ ውጺኢት ገዲፍካ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዝረኣ ዝነበረ ፍልልያት ኣብ ምጽባብን ምፍታሕን ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ተራ ምተጻወተ።

እዚ ረቛሒ'ዚ ብዘይምንባሩ ግን እቲ ብባህርያቱ ናይ ሓባር ስራሕ ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ ዝዕንብብ ውድድራት ንሜዳ ከም ዝብሕቶ ገይርዎ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ እቲ ንቃልስን መስዋእትን ድልው ዝኾነ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ስንጭሮ፡ መሪሕነት ከኣ ኣብ ካልእ ስንጭሮ ኮይኖም። ጠቕላሊ መሪሕነት ከኣ ዘይመርሕ መሪሕነት ኮይኑ።

ፍልልያት መሪሕነታት ንባዕላዊ ዓቅሚታት የልምሶ ኢዩ። ነዚ ድማ እቲ ንዓቅሚታት ናይቶም መብዛሕትኦም ሓያላት ወተሃደራውያን መራሕቲ ከኾኑ ዝኽእሉ ዝነበሩ ኣባላቱ ዘበርዓነን ንዓቕሚ ናይቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ድኹም ዝነበረ ጸላኢ ወተሃደራዊ ተኣምር ክሰርሕን መገዲ ሓርነት ከሕጽርን ዝኽእል ዝነበረ ሰራዊት ሓርነት ዘባኸነን ተመኩሮ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣረጋጊጹዎ ኢዩ።

# ምዕራፍ 11

# ጉባኤ መዓስከር ዓዋተን መኻን ዘተን (ጥሪ-ግንቦት 1971)

## 1. ድሕሪ ባይታ ወተሃደራዊ ጉባኤ

ልኡኽ ጠቕላሊ መሪሕነት ምስታ ካብ "የበል" ዝወጸት 12 ዝኣባላታ ኮሚተ፡ ጉባኤ ንምክያድን ኣብ ዝካየደሉ ግዜን ምስ ተሰማምዐ፡ ኣቓልቦ ኩሉ ወገን ናብ ጉባኤን ዕማማቱን ኢዩ ቀኒዑ።

ዓቢ ጉባኤታት ዝመያየጠሉ ጉዳያት ብልምዲ፡ እቲ ነቲ ጉባኤ ዝጽውዕ መሪሕነት ኢዩ ዘዳልዎ። ከምኡውን እቲ ዓዳሚ መሪሕነት ብዛዕባ ሓፈሻዊ ውጽኢት ናይቲ ጉባኤ ሓሳባት የቕርብ ኢዩ። እዚ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ጠቕላሊ መሪሕነት ንባዕሉ ይኹን ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ስለዝነበረ ጠቕላሊ መሪሕነት ናይ ጉባኤ ኣጀንዳን ፍታሓት ዝብሎ ሓሳባትን ዘጠቓልል ዝተማለአ ጸብጻብ ከቕርብ ዝከኣል ኣይነበረን። ልክዕ'ዩ ጠቕላሊ መሪሕነት ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ ጸብጻብ ንኽቕርብ ጉባኤኛታት ብዝገበርሉ ጸቕጢ ብህጹጽ ኣብ ቦታ ጉባኤ ዘዳለዎ ጸብጻብ ኣቕሪቡ ኢዩ። ይኹን'ምበር እቲ ጸብጻብ ኣብ ምትግባር ውሳኔታት ጉባኤ "ኣዱብሓ" ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ዝገበርሉ ዕንቅፋታትን ምቅልቓል ተርእዮ ምፍንጫልን ዘተኮረ ሓፈሻዊ ጸብጻብ ኢዩ ነይሩ። እቲ ጸብጻብ ብሓፈሽኡ እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ፍልልያት መሪሕነትን ሓቀኛ ጠንቂታቱን ኣየቕረበን። ብፍላይ "የበላውያን" ኣብቲ ጉባኤ ብምንባሮም ከኣ ዝከኣል ኣይነበረን።

እምበኣርከስ፡ ነቲ ጉባኤ ዘቆሙ ሓይልታት መን'ዮም ነይሮም? ንመርገጺታቶም ዝገዝእ ከ እንታይ'ዩ ነይሩ?

- እቲ ኣብ "የበል" ዕላማ ምፍንጫል ኣብ ምርግጋጽ ዝፈሸለ ሓይሊ "የበል" ኣሎ። እንተኾነ ግን እዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ቅድሚኡ ዝወስዶ ምርጫ ስለዘይነበረ፡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ደው ዝብለሉ ባይታ ምእንቲ ከይስእን ተገዲዱ ኣብ ጉባኤ ክሳተፍ ዝወሰነ ሓይሊ ኢዩ። እዚ ሓይሊ እዚ፡ ካብዚ ክውንነት ብምብጋስ ነቲ ካብ ዕላማታቱ ከድሕኖ ዝኽእል ንምድሓን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣጀንዳ ክህልዎ ባህርያዊ ኢዩ። ይኹን እምበር ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ድምጹ ድኹም ከም ዝነበረ ንሱ ንባዕሉ ዘይዝንግዖ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ።
- ከምኡውን ድሕሪ ኣኼባ "የካርዕ" ዝተኣኻኸበን ንውሽጣዊ ኩነታት ሜዳ ኣብ ምርግጋጽን ውሕስነት ምክያድ ጉባኤ ኣብ ምርግጋጽን ተራ ዝነበሮ ሓይሊ ምንቅስቓስ ካድራት ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ቀንዲ ኣተኩሮ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዋላ ብዝተሓተ ደረጃ ሓድነት ውድብ ድሕሪ ምርግጋጽ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ምብጻሕ ዝብል ኢዩ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን እዚ ሓይሊ'ዚ ናብ ዕላማታት ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ብዛዕባ ዝኽተሎ ኣገባባት ሓድነቱ ውሑስ ኣይነበረን።
- ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣረኣእያ ዝነበሮ ሰልፊ ዕዮ እውን ነይሩ ኢዩ። ኣባላት ጉባኤ ካብ ባእታታት ሰልፊ ዕዮ ካብ ገለ ዓሰርተታት ዘይሓልፉ ውሑዳት እኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ኩሉ ንኣገባባት ዝምልከት

ዝርዝራት ናይ ሓባር ርእይቶን ውዳበን ስለዝነበሮም ካብቶም ካልኦት ሓይልታት ዝተፈልዩ ኢዮም ነይሩ።

- ካልእ እቲ ብኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ዝሳቀ ዝነበረን ንጠቅላሊ መሪሕነት ዝወቅስ ካብቲ ሽግር ንምውጻእ ግን ንጹር ርእይቶ ዘይነበሮ ዝበዝሐ ኣባል ጉባኤ ነይሩ። እዚ ሓይሊ እዚ መርገጺታቱ በቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝቐርብን ዝበርህ መርገጺታትን ዝውሰን ኢዩ ነይሩ። ልክዕ'ዩ ኣብ መንጎ ወተሃደራውያን መራሕቲ ኣብ ገለ ጉዳያት ብፍላይ ከኣ ኣብ ጉዳይ ምፍንጫል ኣብ ክልተ ወገን ዝምቀሉ ዝተወሰነ ርእይቶ ዝነበሮም ነይሮም ኢዮም። እቲ ሓደ ንተርእዮ ምፍንጫላት ቅድሚ ምስፍሑ ገደብ ክግበረሉ ኣለዎ ዝብል ተሪር ወገን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ንዝተን ሰላማዊ ፍታሕን ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ ዝብል ነይሩ። እንተኾነ ግን ናይዞም ዝበዝሑ መርገጺታትን ርእይቶን ከምቲ ዝግባእ ዘዓሞቀ ብዘይ ምንባሩ ኣብ ውሽጢ እቲ ጉባኤ ብዝቐርብ ክጽሎን ክቀያየርን ዝኽእል ኢዩ ነይሩ።
- እንተ መብዛሕትኦም ኣባላት ጣቅላሊ መሪሕነት ርእይቶታቶምን መርገጺታቶምን ኣብ ገለ ከም ምድኻም ነቲ ንስሙ ዝኽፍአ ምንቅስቓስ "ያበል"፡ ኣብ ልዕሊ ተፈንጨልቲ ንጹር ውሳኔታት ምሕላፍን፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ዝብል ቀንዲ ነጥቢታት ይራኸቡ'ኳ እንተኾኑ ብሓፈሻኡ ግን ካብቲ ዝተጠቕስ ኣካይዳታት ዝወጽእ ኣይነበረን።

ካብዚ ኩሉ ተጋዳላይ ብዝላዓለ ተገዳስነት ዝጥምቶን ብታሃዋኽ ዝጽበዮን ዝነበረ ጉባኤ ዋላ ሓደ ከም ዘይተርፍ ካብ መጀመርታ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ እቲ ንኩሉ ዘሻቅል ዝነበረ ብዛዕባ መን ካብ ጉባኤ ይተርፍ? ዝብል ሕቶ ዘይኮነስ፡ የግዳስ ጉባኤ እንታይ'ዩ ክገብር ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ስለዚ ከኣ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪን ለካቲትን ኣብቲ ቀንዲ ጉዳያትን ነቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ክኸሰት ዝኽእል ዝተፈላለየ መርገጺታት ንምፍላጥን ዘተኮረ ርሱን ርክባት ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን ኣባላት ጉባኤን ተራእዩ ዘይፈልጥ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ተኻይዱ።

ጉዳይ "ያበላውያን" ኣብቲ ተፈንጫሊ ጉባኤኦም ድሕሪ ምፍሻሎም ብወገን ጉባኤኛታት ፍሉይ ኣቃልብ ይወሃቦ ነይሩ። ንከምዚ ኣቃልቦ ዝዓደመ ከኣ ጉባኤኛታት ካብ ቃል ተሳተፍቲ ጉባኤ "ያበል" ብዛዕባ እቲ ጉባኤ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ስለዝረከቡ ኢዩ። ብመሰረት'ቲ ዝተረኽበ ሓቀኛ ሓበሬታታት ድማ ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ እራእእያ "ያበላውያን" ብዝምልከት ኣብ ዝካየድ ክትዓት ንኽሳተፍ በቕዐ። ብዛዕባ'ዚ ተርእዮ'ዚ ዝቀርብ ዝነበረ ሕቶታት ድማ፡ ስለምንታይ ኣብ ጉባኤ ክሳተፉ ተቀቢሎም? ኣብ ጉባኤ እንታይ ኢዮም ክቅርቡ? እንታይ ከረጋግጹ ከ ይደልዩ ኣለው? ዝብል ነይሩ።

*   *   *

እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ጉባኤን መርገጺታቶምን ዝተፈላለየ ጽልዋታት ዝገበረን ብቅልጡፍ ዝማዕበለን ኣሉታዊ ምዕባለ ብሃንደበት ተኸስተ። ኣባላት ጉባኤ ናብ ቦታ ጉባኤ "ቱር" እናወሓዙ ከለው፡ ሓንቲ ብኢብራሂም እድሪስ (ማንጆስ) እትምራሕ ጋንታ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ወጻእተኛታት ጋዜጠኛታት ሒዛ ኣብ "ሂምቦል" (ባርካ) ተራእያ ዝብል ሓበሬታ ናብ ጠቅላሊ መሪሕነት መጺኡ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ንምንቅስቓስ ናይቲ ድሕረ ፍሽለት ጉባኤ "ያበል" ንባርካ ዝገደፉን ኣብ ከባቢታት ማርያ ዝተሓጽረን ኣቡጥያራን ጉጅልኡን ኣቃልቦ ኣይሃበሉን

ነይሩ። እንተኾነ ግን ምቅልቃል ሓድሽ ኣሃዱ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት እሞ ኸኣ ወጻእተኛታት ጋዜጠኛታት ሒዙ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት ኮነ ኢልካ ዝተገብረ ናይ ምትኽታክ ተግባር'ዩ ብምባል ገደብ ክገብረሉ ወሲኑ። በዚ ምኽንያት ድማ ከላሽንኮፍ ዝዓጠቁ 20 ተጋደልቲ ዘለዋ ብኣባላት መሪሕነት ሳልሕ ሓዮቲን ሓምድ ማሕሙድ ሓምድን እትምራሕ ጉጅለ ኣንቀሳቒሶም። ተልእኾ ናይዛ ኣሃዱ እዚኣ ነቶም ጋዜጠኛታት ብሓይሊ ካብታ ጋንታ ወሲድካ ናብ ቦታ ጉባኤ ምምጻእ፡ እንተ ድኣ ኣብዮም ድማ ነቲ ዝሓዝዎ ናውቲ ስእሊ ምህጋር ኢዩ ነይሩ።

እቲ ዜና ቀልጢፉ ናብቶም ዝጸበዩ ዝነበሩ ጉባኤኛታት ተዘርጊሑ። "**የበላውያን**" ድማ ንመሪሕነት ኣብ መንጎ ኣሕዋት ሰናት ንምውላዕን ንሂወት ወጻእተኛታት ናብ ሓደጋ ንምውዳቅን ይሰርሕ ኣሎ እናበሉ ነቲ ዜና ኣብ ምዝርጋሕ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም።

ዳርጋ ኩሎም ጉባኤኛታት ብተግባራት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ሕማቕ ተሰሚዑዎም። ነቲ ስጉምቲ፡ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብዋጋ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ሜዳ ምቁጽጻር ከምዘለዎ ንምርግጋጽ ከም ዝዓለመ ኢዮም ተረዲኦሞ። ምስዚ ኩሉ ግን ብሰብብ'ዚ ኣብ ወተሃደራዊ ሓይሊ ከይከድካ ብኻልእ ኣገባባት ክፍታሕ ዝኽእል ዓንቃፊ ፍጻመ'ዚ ሃዋሁው ጉባኤ ክብርዕን ዝደሊ ሰብ ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ብዙሓት ካብ መራሕቲ ሓይልታትን ካድራትን ነታ ዝኸደት ኣሃዱ ንምምላስን ንጋንታ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካብቲ ቦታ ንኽትከይድ ንምሕባራን ናብ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ሓሳባት ከቅርቡን ጸቅጢ ክገብሩን ጀሚሮም።

ኣብቲ እዋን'ቲ ስም ጉባኤ ንምክፋእን ንተ.ሓ.ኤ. ንምቅላልን ምእንቲ ንጋንታ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ናብቲ ቦታ ዝምጽኡ መራሕቲ "**የበል**" ኢዮም ዝብል ጥርጣረታት ሓዲሩ። እዚ ጥርጣረታት'ዚ ግን ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። መሪሕነት "**የበል**" ብመሪሕነት ሳልሕ ሓዮቲ ሓንቲ ዕጥቅቲ ጉጅለ ከም ዝተንቀሳቐሰት ምስ ሰምዐ፡ ንሱ'ውን ብወገኑ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ንምክልኻል 21 ተጋደልቲ ዘለዋ ጉጅለ ብመሪሕነት መሓመድ ዓሊ ፍካክ ኣንቀሳቒሱ።

ጠቅላሊ መሪሕነት ነታ ጋዜጣኛታት ንኽተምጽእ ዝተመዘዘት ኣሃዱ ንምምላስ ዝተገብረሉ ተጽዕኖ ብምቅባል፡ ነቶም ነታ መስርዕ መሪሖም ዝኸዱ ክልተ ኣባላቱ ንክምለሱ ልኢኹሎም። እዚ ድሕሪ ናይ ክልተ ሰዓት ጉዕዞ ናይታ ጉጅለ ኢዩ ተፈጺሙ። ይኹን'ምበር እቶም ጋዜጠኛታት ቅድሚ ኣሃዱ ጠቅላሊ መሪሕነት ምንቅስቓስ፡ ናብ ሱዳን ተመሊሶም ሰለዝነበሩ እታ ኣሃዱ ዋላ እንተትቕጽል ኣይምረከበቶምን ነይራ።

ነቶም ጋዜጠኛታት ካብ ከሰላ ዘሰነየ ማሕሙድ ሻክር፡ ኣብ ጋዜጣ "**ኮርየራ ዲሴራ**" ዝሰርሑ ክልተ ኢጣልያውያን ጋዜጠኛታት ምዃኖም፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ባርካ ከምዘሎ ንኸረጋግጹ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ከምዝለኣኾም፡ ካብ ከተማ ከሰላ ንኽሰንዮም ከም ዝተመዘዘ ይገልጽ። ናይ ኢትዮጵያ ነፈርቲ ሰናት፡ ንሶም ኣብ "**ሣማሽድዋ**" ከለው፡ ንጥቕኦም ዝነበረት ዓዲ ስለዝደብደባ ምስ መሓሪ ደበሳይ ተራኺቦም ጋዜጣዊ ርክብ ድሕሪ ምክያዶም ናብ ከሰላ ከመልስዎም ከም ዝወሰኑ ኣብሪሁ[153]

እዚ ጉባኤ ንኽኸፈት ኣብ ዝተቓረበሉ ህሞት ዘጋጠመ ፍጻመ'ዚ፡ ንጉዳይ ተፈንጨልቲን ሰብ ኪዳኖም ኣብ ውሽጢ ውድብን ምስኦም ዝግበር ርክብን ከም

[153] ደራሲ ብ13-10-2006 ኣብ ኣስመራ ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ርክብ።

ብሓድሽ ኣለዓሊሉ። ሕጂ ግን ውድባዊ ተሓላቅነትን ስምዒትን ዝዓብለሎ፡ ንሰላማዊ ፍታሓት ዝዕድም ዝነበረ ድምጺ ዝተቐርቐረሉ ዓይነት ክትዕ ኢዩ ማዕቢሉ።

ዋላ ሓደ ከይተረፈ ኩሎም ኣባላት ጉባኤ ኣብ ቦታ ጉባኤ ምርካቦም ንኩሉ ዝሓጎሰን ተስፋ ዘሕደረን እኳ እንተኾነ፡ ዕማም ጉባኤ በዳሂ ምንባሩ ግን ካብ ኩሉ ዝተሰወረ ኣይነበረን። ሓደ ካብቲ ተስፋ ዝህብ ዝነበረ ድማ፡ ክሳብ ነቲ ዓበይቲ ዕላማታት ጉባኤ ዘውሕስ ውጽኢት ዝርከብ ኩሉ ኣባል ጉባኤ ንዘተ ድልው ምንባሩ ኢዩ።

ከምዚ ኢሉ ድማ ጉባኤ ብ26-2-1971 ኣብ "ኩር" ሰርሑ ጀሚሩ። ድሕሪ ገለ መዓልታት ድማ ናብ መዓስከር ዓዋተ ኣብ "ዴባ" ተቐይሩ። እቲ መዓስከር፡ መራሕቲ መሳርዕን ጋንታታትን ዝሳልጥንሉ ዝነበሩ ክፍሊ ታዕሊም ኢዩ ነይሩ። በዚ ድማ ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ተባሂሉ። ገለ ድማ ጉባኤ "ኩር-ዴባ" ይብልዎ ኢዮም። ጉባኤ ነቲ ውጽኢት ስርሑ ዘጠቓለለ ደምዳሚ ኣዋጅ ብምንባብ ብ13-3-1971 ተደምዲሙ።

ድሕረ ባይታ ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ከምዚ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ብዙሕ ሃንደበታትን ምዕባለታትን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዙሕ ናይ ምጉንጓል መስርሕ ዝጸበዮ ዝነበረ ድሕረ ባይታ'ዩ ነይሩ ክባሃል ይከኣል።

መጋባእያታት ጉባኤ ነዊሕን ኣድካምን ኢዩ ነይሩ። ኣብ መዓልቲ ክልተ መጋባእያታት ክልቲኡ ብሓባር ድማ ካብ 9-10 ሰዓታት ይቕጽል ነይሩ። መጋባእያታት ጉባኤ ብዘይካ ሓደ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዘጋጠመ ሃንደበታዊ ንኣገዳስነቱ ጸኒሕና እንገልጾ ምዕባለ ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን ኢዩ።

ኣብ ጉባኤ ንኩለን ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ዝተፈላለያ ክፍልታቱን ዝውክሉ ልዕሊ 300 ተጋደልቲ ተሳቲፎም። ካብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ሰውራዊ መሪሕነትን ዋላ ሓደ ዝተዓደመ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ናይ ቅድም መራሕቲ ክፍልታት ኣባላት ጉባኤ ነይሮም።

## 2. ሰክረታርያ ጉባኤን ኣጀንዳታቱን

**ሰክረታርያ ጉባኤ፡** ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ብጉዳይ ሰክረታርያት ጉባኤ ግዱሳት ኢዮም ነይሮም። ንሰክረታርያ፡ ከም ተክኒካዊ ንጉባኤ ዘማሓድር ጥራይ ዘይኮኑ ዝርእይዎ ዝነበሩ፡ የግዳስ ፕሮግራም ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ንምዕዋት ከም ሓደ ኣገዳሲ መሳርሒ'ውን ኢዮም ዝጥምትዎ ዝነበሩ። ቀንዲ ኣቓልቦኦም ድማ ብፍላይ ነቲ መጋባእያታት ጉባኤ ዝመርሕ ኣቦ መንበር ሰክረታርያትን ነተን ጉባኤ ንምሕላው ዝተመዘዛ ገሊኣን ንናይ ውሽጢ ጸጥታ ገሊኣን ድማ ንናይ ወጻኢ ዝካታተላ ኣሃዱታት ዝመርሕ ሓላፊ ጸጥታ ጉባኤን ንምሓዝ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሰልፊ ነዚ ክልተ ቦታታት ኣባላት ሰልፊ ክሕዝዎ ኢዩ ወሲኑ።

ብልክዕ ድማ እቲ ሰልፊ ነቲ ቦታታት ንምሓዝ ዝመረጾም ሰባት ኣብ ምምራጽ ሰክረታርያት ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ክዕውቶም ክኢሉ። ብድሕሪ'ዚ ከኣ ሰክረታርያት ጉባኤ ነቲ ክልተ ቦታታት ዝሕዙ ባእታታት መሪጹ። ንሳቶም ከኣ ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ኣቦ መንበር ሰክረታርያት ጉባኤ፡ ማሕሙድ ሓሰብ ሓላፊ ጸጥታ ጉባኤ ኢዮም።

መብዛሕትኦም ኣባላት ጉባኤ ሰልፊ ዕዮ ከም ዘሎ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ብዝኾነ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ እዚ ጉዳይ'ዚ ዘሻቕል ጉዳይ ኣይነበረን። ምኽንያቱ መርገጺታት ተነጺሩ፡ ቅድሚ ጉባኤ እውን በሲሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ ጉባኤ ንምርግጋጹ ኢሉ ዝመጸሉ ዕላማ ንምርግጋጽ ይዋሳእ ስለዝነበረ። ብዛዕባ ሰልፊ ዕዮን

ባእታታቱን ምናልባት'ውን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝሓሰቦን ዝፈልጥ ካብ "**ዑበላውያን**" ሓደ ሰብ ነይሩ። ንሱ ከኣ መራሒን ፈላስፉን (Theoretician) ናይቲ ምንቅስቓስን ሓደ ካብ መሰረቲ ሰልፊ ዕዮን ክሳብ ድሕሪ ምንቅስቓስ "**ያበል**" ዝወጽእ ኣባል ዝነበረን ኣሕመድ ኣድም ዑመር ኢዩ። ኣሕመድ ኣደም ዑመር ኣባላት ሰልፊ ፖሊስታቶም ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ንምዕዋት ዘካይድዎ ዝነበሩ ምንቅስቓስ ይከታተል እኳ እንተነበረ፡ ህላወ ሰልፊ ወይ ዕላማታቱ ንምቅላዕ ዝኾነ ይኹን ተግባር ወይ ቃል ኣይምሎቀን። ምናልባት'ውን እዚ ካብ ገለ ኣብ ሓንጎሉ ዝተረፈ እምነት ኣብ መትከላት እቲ ሰልፊ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

**ኣጀንዳ ጉባኤ፡** እቲ ቀንዲ ኣጀንዳ ጉባኤ ቅድሚ ዓመት ኢዩ ተዳልዩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ድማ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምክያድ፡ ከም ኣብነት ድማ ኣብ ፕሮግራም ካድር ከም ዝተጠቅስ ኣብ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ምትኳር ዝብል ነይሩ። እንተኾነ ግን ምምዕባል ኩነታት ምፍንጫላት፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ከባቢታት ሰምሃር ምቅልቓል፡ ንምቅንጻለን ዝተገብረ ፈተነን ዝፈጠሮ ዓውዓውታን፡ ከምኡውን ዘይተፈትሐ ጉዳይ ምፍንጫል ኣባል ጠቅላሊ መሪሕንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን፡ ኩሉ'ዚ ንጉዳይ ምፍንጫላት ከም እዋናዊ ጉዳያት ኣቅረቦ። "**ያበላውያን**" እውን እንተኾኑ ንጠቅላሊ መሪሕነት ምውራድ ዝብል ርእይቶ ሒዞም ኢዮም ኣብ ጉባኤ መጺኦም። ኣብ ውሽጢ ኣባላት ጉባኤ ከኣ የጎሳጉስሉ ነይሮም። ስለዚ ከኣ እዚ ጉዳይ'ዚ እውን ሓደ ካብቲ ኣብ ቅድሚ ጉባኤ ብትሪ ዝቐረበ ጉዳይ ኮይኑ። እሞኸ፡ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ መርገጺታት ብከመይ ተራእዩ? ኣብ መንጎኦም ከ እቲ ውድድር ብከመይ ተኻይዱ? እቲ ውጽኢት ከ እንታይ ነይሩ?

# 3. ሕቶ ሃገራዊ ጉባኤ

ሃገራዊ ጉባኤ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክካየድ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ዘፈላሊ ጉዳይ ኣይነበረን። "ያበላውያን" እውን እንተኾኑ ዝያዳ ተነጽሎ ንኸየጋጥሞም ክንጽግዎ ይኽእሉ ኣይነበሩን። ይኹን'ምበር ንዝርዝራቱ ብዝምልከት ብዙሕ ፍልልያትን ክትዓትን ነይሩ ኢዩ።

"ያበለውያን" ጠቅላሊ መሪሕነት ፍሹልን ዕማሙ ክፍጽም ዘይክኣለን መሪሕነት ሰለዝኾነ፡ ንሱ እንክሎ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ስለዘይክእል ቅድሚ ንምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ምዝርራብ ጠቅላሊ መሪሕነት ክወርድ ጠሊቦም።

መርገጺ ሰልፊ ዕዮ ድማ፡ ቀዳማይ ዕላማ ምክያድ ጉባኤ መዓሰከር ዓዋተ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየደሉ ዕለት ንምውሳንን ንዓወቱ ዘውሕሶ ምድላዋት ንምግባርን ሰለዝኾነ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ካልእ ከህስሶ ዝኽእል ጉዳያት ክትሓዋወስ ከምዘይብሉ ዝብል ነይሩ። እንተ ብዛዕባ ምውራድ ወይ ምቅጻል ጠቅላሊ መሪሕነት ብዝምልከት መርገጺ ሰልፊ ዕዮ እዚ ጉዳይ እዚ ነብሱ ዝኽኣለ ሓደ ካብ ኣጀንዳ ጉባኤ ኮይኑ ክዝረበሉ ስለዝክእል ብዛዕባ ሃገራዊ ጉባኤ ድሕሪ ምውሳን ክርኣን ጠቅላሊ መሪሕነት ድማ ብመሰረት እዚ ጉባኤ'ዚ ዝውሰኖ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስንዳእ ብቁዕ ድዩ ኣይኮነን ክዝረበሉን ይክእል ኢዩ ዝብል ነይሩ።

እቲ ክትዕ ነዊሕን ሓደ ሓደ ግዜ እውን ተሪርን ኮይኑ፡ ንክልተ መዓልታት ዝቀጸለ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ይኹን ንካልእ ጉዳያት ኣብ ምግጣም ዝያዳ ውድባት ዝነበሩ ክልተ ወገናት ሰልፊ ዕዮን "**ያበላውያንን**" ኢዮም ነይሮም። ከምቲ ዝርኣናዮ ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ብዛዕባ መሰረታዊ መድረኻዊ ጉዳያት ብመገዲ'ቲ ዶክቶር

*ያሕያ ጃብር ዘዳለዎ ወረቐት ኣረኣእያ ካድር ውድብ ኣብ ምስማር ዝተበገሱ ቀዳሞት ኢዮም ነይሮም። እዚ ነጥቢ'ዚ ድማ ንዝሰፍሐ ካድር ውድብ ስለዘስማመዐ ንፖሊሲታት ናይቲ ሰልፊ ዓቢ ደገፍ ከይንዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ዝበዝሐ ኣባል ጉባኤ፡ ናይ ኩነታት ዘይምርዳእ ጸገምን ንተ.ሓ.ኤ. ካብቲ ሽግር ከድሕና ዝኽእል ኣገባብ ኣብ ምምራጽ ንጹር ኣራኣእያ ናይ ዘይምንባር ሽግር ነይሩዎ ኢዩ። እዚ ወገን'ዚ ኣብ ልዕሊ ጠቕላሊ መሪሕነት እምነት ስለዘይነበሮ ሽግር ተ.ሓ.ኤ ንምፍታሕ እቲ ዝሓሸ ንጣቕላሊ መሪሕነት ምውራድ ዝብል ኣረኣእያ ይስሕቦ ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን ነዚ ምርጫ'ዚ እንተድኣ ወሲዱ፡ ንዕላማታት ናይቶም ከም ካልኣይ ገጽ ውድብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝርእዮም ዝነበረ "ያበላውያን" ከየገልግል ስግኣታት'ውን ነይሩዎ ኢዩ። ሰለዚ ድማ ጠንቂ ፍልልያት ኣብቲ ጉዳይ ንምንጻር ዝያዳ ክትዓት ምክያድ ኣገዳሲ ነይሩ። ድሕሪ ነዊሕ ክትዓት ድማ ነቲ ክልተ ጉዳያት ንምፍላይን ብቀዳምነት ሕቶ ሃገራዊ ጉባኤ ንምምይያጥን ኣብ ካልእ ናጻ ኣርእስቲ ድማ ንጉዳይ ምውራድ ወይ ምቕጻል ጠቕላሊ መሪሕነት ንምርኣይን ሰልፊ ዕዮ ንዝበዝሑ ኣባላት ጉባኤ ክዕግቦም ክኢሉ። ሰለዚ ከኣ እቲ ክትዕ ብዛዕባ ሃገራዊ ጉባኤን ንምዕዋቱ ዘድሊ ነገራትን ዝቐንዐ ኮይኑ።*

*እቲ ብዛዕባ ጠቕላሊ መሪሕነትን ዘይብቕዓቱን ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ድሌት ከምዘይብሉን* “**ያበላውያን**” *ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ንጠቕላሊ መሪሕነት ንምውራድ ካብ ዝነበሮም ጠለብ ተበጊሶም ብዛዕባ ጌጋታቱ ብዙሕ ዝተዛረብዎን ንብዙሓት ኣባላት ጉባኤ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተጋነነ ውሕስነታት ከም ዝግደሱ ገይሩዎም ኢዩ። ብናይ እዚኣቶም ኣረኣእያ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ይወረድ ወይ ይቀጽል ብዘይገድስ እቲ ቀዳማይ ውሕስነት ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከም ዝካየድ ምግባር ኢዩ። ኣባላት ሰልፊ ዕዮ፡* “**ያበላውያን**” *ንባዕላቶም ዘይገመትዎ እቲ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ወርሒ ክካየድ ሓሳብ ኣቕረቦም። ነዚ ሓጺር ግዜ'ዚ ምውሳን ከኣ፡ በቲ ካልእ ሸነኹ ነቶም ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤን ጠቕላሊ መሪሕነትን ተፈላልዩ ክርአ ኣለዎ ዝብሉ ዝነበሩ ወገናት ብወገን* “**ያበላውያን**” *ከም ንጠቕላሊ መሪሕነትን ጌጋታቱን ዝከላኸሉ ገይሮም ዘቕርብዎ ዝነበሩ ክሲታት ቕኑዕ ከምዘይኮነ ዝምልስ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ፡* **“ሃገራዊ ጉባኤ ካብቲ እዚ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዝተዛዘመሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክካየድ።”** *ተወሲኑ።*

*   *   *

*ካልእ ሃገራዊ ጉባኤ ብዝምልከት ጉዳይ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኢዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ እውን ብመንጽር ውሕስነት ክርእ ባህርያዊ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ኩሉ እቲ ክትዕ ብዛዕባ ስልጣና ዝኾነ ወገን ክዕንቕፉ ብዘይክእል ኣገባባ ንምንጻር ኣተኪሩ።*

“**ያበላውያን**” *ጠቕላሊ መሪሕነት ንምውራድ ከም ቀዳማይ ውሳኔ ጉባኤ ክወሰዶ ዝደልዩ ዝነበሩ ምስ ፈሸሎም ስምዒቶም ሰለ ዝሽሰሩ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ግዱሳት ኣይነበሩን። ናቶም ኣቓልቦ ኣብቲ ከም ሓደ ናጻ ኣጀንዳ ጉባኤ ክስፍርዎ ዝሽኣሉ ጉዳይ ምውራድ ወይ ምቕጻል ጠቕላሊ መሪሕነት ከምዝነበረ ከኣ ብሩህ ነይሩ። መሪሕነት ኣብ ምውራድ እንተ ድኣ ተዓዊቶም ድማ ንኩሉ ብዛዕባ ምክያድ ጉባኤ ብዝምልከት ዝግበር ምድላዋትን ዝሓልፍ ውሳኔታትን ዳግመ ርእይቶ ንምግባር የኽእሎም ነይሩ። ብኣንጻሩ ሰልፊ ዕዮን እቶም ኣብ ክሉ ዝሰርሑ ካድር ውድብን ግን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካብ ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ ናጻ ኮይና ከተዳሉ ምእንቲ ኣድላዪ ውሕስነታት ከም እትረክብ ንምግባር ብተገዳስነት ይሳተፉ ነይሮም።*

ዳርጋ ኩሉ ጉባኤኛ ውሕስነትን ሳልጣንን ንኣሰናዳኢ ሽማግለ ክወሃብ ይጠልብ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ድማ ጉባኤ ክልተ ውሳኔታት ኣሕሊፉ። ቀዳማይ፡ ብዝሒ ኣባላት ብዝምልከት **"ሓሙሽተ ኣባላት ብምውሳኽ ጠቅላላ ቁጽሪ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ 30 ኮይኑ።"** እዚ ከኣ ምስቶም ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብ ኣኼባ **"ኩልንቴባይ"** ኣብ ሰነ 1970 ዝመረጾም ኣበላት ማለት ኢዩ። ካልኣይ ውሳኔ ከኣ፡ ንስልጣና ዝምልከት ኢዩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

**"ሀ. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንኩሉ ጉዳያት ሰውራ ንምጽናዕ ምሉእ ስልጣን ይህልዋ። ንዝተዋህባ ዕማም ንምስላጥ ድማ ንዝኾነ ክትሕገዘሉ እትደሊ ባእታ ክትጥቀመሎም፡ ንኽትረኽቦ ኣገዳሲ ዝበለቶ ሰብ ድማ ክትረኽቦ ምሉእ ስልጣን ይህልዋ።**

**ለ. ኣብ ክሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝሳተፉ ኣባላት ካብ ኣካላት ሰውራ ክትውስን ስልጣን ይህልዋ።**

**ሐ. ኣብ ኩሉ መዳያት ንኽትንቀሳቐስን ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቀይዲ ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን ወይ ስልጣን ንጥፈታታ ብናጻ ንኽተሰላስልን ዝኽእላ ኩሉ ዘድልያ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ይግበረላ።"**

ኣብ ክሊ እዚ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤን ንዕኡ ዘድሊ ውሕስነታት ንምርግጋጽን ዝብል ኣርእስቲ፡ ጉባኤኛታት ኣብ ጉዳይ ኣባልነት ጉባኤ ተመያይጦም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ጉዳይ ኣብ ኢድ ጠቅላሊ መሪሕነት እንተ ድኣ ተገዲፉ ኣባልነት ጉባኤ ብጉጅላዊ ሕሳባትን ዋጋ ዕዳጋን ከይውስን ስግኣት ሰለዝነበረ ኢዩ። ከምኡውን እቲ ዕላማ ናጽነት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንምሕያል ዝዓለመ ነይሩ። ሰለዚ ከኣ እዚ ዝስዕብ ተወሲኑ።

**"ኣብ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝሳተፉ ወከልቲ ናይ ኩለን ኣካላት ሰውራ ብመትከል ናጻን ንቁሕን ምርጫን በቲ ነዚ ሰውራዊ መትከል'ዚ ንምትግባር ዝምልከታ ኣሰናዳኢት ሽማግለ እትህቦ መምርሒን ይምረጹ።"** ብዘይካ'ዚ ንኣሰናድኢት ሽማግለ ዝያዳ ውሕስነት ንምርግጋጽ፡ ጉባኤ **"ብ16 ተጋደልቲ ዝቖማ ናይ ምክትታልን ፋይናንስን ኮሚተታት ኣቝሙ። ንነፍሲ ወከፍን ንጥፈታትንን ዕማማታትንን ዘነጽር ውሽጣዊ ሕጊታት ድማ ኣዳልዩ። ዕድሚኣን ድማ ክሳብ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጋባእ ክጸንሕ ወሲኑ።"**

ኣብ ኣዋጅ ናይቲ ጉባኤ ዕማም ናይዘን ክልተ ኮሚተታት ኣይተዘርዘረን። ንዓና ዘገድሰና ግን ሃገራዊ ጉባኤ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ካብ ዝኾነ ወገን ምእንቲ ክካየድ ውሕስነት ምርግጋጽ ሰለዝኾነ፡ እንተ ድኣ ጉባኤ ንምክያድ ዘይኽእል ሓድሽ ዕንቅፋታት ኣጋጢሙ ልክዕ ከምዚ ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ዝመሳሰል ንምክያድ ወተሃደራዊ ጉባኤ ክትጽውዕ ንናይ ምክትታል ኮሚተ ስልጣን ከም ዝተዋህባ ንጥቐስ።

# 4. ምቅጻል ወይ ምውራድ ጠቅላሊ መሪሕነት

ከምቲ ዝገለጽናዮ ጠቅላሊ መሪሕነት ምውራድ ዝብል ርእይቶ ብያበላውያን ዝቐረበ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ካብ ዝነበሮም መጠኑ ዝሓለፈ ህንጡይነት ድማ ዓወት ጉባኤ ዓዋተ ምስ ምውራድ ጠቅላሊ መሪሕነትን መተካእታኡ ካልእ መሪሕነት ኣብ ምቛምን ኣተኣሳሲሮም። እንተኾነ ግን ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ኣጀንዳ ጉባኤ ክእትውዎ'ኳ እንተኸኣሉ፡ ከም ቀዳማይ ውሳኔ ጉባኤ ክሕልፎ ንዝደልይዎ ዝነበሩ ዕላማ ግን ኣየረጋገጹን።

*እቲ ኣንጻር ጠቅላሊ መሪሕነት ዘቅርብዎ ዝነበሩ እውጅ ሙጉት እቲ ሽዑ ዝነበረ ሓፈሻዊ ስምዒታት ዝቅበሎ ዓይነት ምጉት ኢዩ ነይሩ። ብንቅሓት ይኹን ብውድባዊ ስምዒት ወይ ከኣ ብስምዒታት ጥራይ ተገዚእካ ብዛዕባ ጠቅላሊ መሪሕነት ወቀሳታት ምቅራብ ነቲ ዝነበረ ስምዒታት ንምልዕዓል ክትምዝምዞ ዝከኣል ኢዩ ነይሩ። እቲ ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝዛረብዎ ዝነበሩ ብዛዕባ ፍሽለት ጠቅላሊ መሪሕነትን ፍልልያቱን ንኤርትራዊ ሓይሊ ንምቅንጻል ዝገበሮ ፈተነን ካልእ ክሲታትን ብመጠኑ ሓቅነት ዝነበሮ ኢዩ። ሰለዚ ድማ እቲ “**የበላውያን**” እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ክትዕ ምስ ወረደ ዘቅርብዎ ዝነበሩ ዝርዝራት ነቲ ንጠቅላሊ መሪሕነት ንምቅጻዕ ዝህንጠ ዝነበረ ስምዒታት ዘለዓዕል ቃና ኢዩ ነይሩ።*

*“**የበላውያን**” ንገለ ግዜ ንተ.ሓ.ኤ. ንምድሓን ዝሰርሑ ጀጋኑን ኣብ ውሽጢ ጸልማት ሽግ ዘልዓሉ መሲሎም ስለዝተራኣዩ በቲ መርገጺ እቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ኣቃሊልካ ዘይርአ ንርእይቶኦም ዝድግፍ ዝምባለ ፈጢሮም ኢዮም።*

*ሰልፊ ዕዮን ዝበዝሐ ካድር ውድብን ግን ጠቅላሊ መሪሕነት ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ክቅጽል ኣለዎ ዝብል ካብ ናታቶም ዝተፈልየ መርገጺ ኢዩ ነይሩዎም። እዚኣቶም ኣብቲ ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ክትዕ፡ መርገጺታቶም ይከለኽሉን ንምጉት “**የበላውያን**” ይምክቱን ነይሮም።*

*እቲ ኣባላቱ፡ ብፍላይ ዝተኸላኸልሉ መርገጺ ሰልፊ ዕዮ፡ ንኩሉ’ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኣዱብሓ ኣብ ሜዳ ዝተፈጸመ ንግብእ ምትግባር ውሳኔታት ጉባኤ ኣዱብሓ ዝዓንቐፈ ንጠቅላሊ መሪሕነት ምስካም፡ ዕላማኡ ነቲ ባእታታት ላዕላዋይ ባይቶ ዝተጻወትዎ ዓንቃፊ ተራ ንምሕባእን ብፍላይ ድማ፡ ነቲ ውጽኢት ጉባኤ ካብ ዝተኣወጀሉ ስዓት ንጠቅላሊ መሪሕነትን ውሳኔታት ኣዱብሓን ንምዕናው መደሻኡ ዘልዓለን ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ መቒሉ ብወገናዊ ኣገባብ ሓድሽ ውድብ ንምህናጽ ድሕር ዘይበለን ንሰራዊት ሓርነት ንምንብርካኽ ካብ ኩሉ ትሕዝቶ ሰውራ ሓሪሙ ናብ ረብሓኡ ዘውዓለን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ናጻ ንምውጻእን ኢዩ፡ ከምኡውን ንኩሉ’ቲ ዑስማን ዝፈጸሞ ምቅባል ኢዩ ዝብል ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ዕላማ ናይዚ መርገጺ እዚ “**የበላውያን**” ብውሽጢ፡ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንምብታን ዝተጻወትዎ ኣሉታዊ ተራን ዕላማታት ባእታታት ላዕለዎይ ባይቶ ንምግልጋል ብኩሉ ዓቕሞም ዝካየድዎ ተግባራትን ናጻ ንምግባርን ኢዩ ብምባል “**ንየበላውያን**” ከይተረፉ የጥቅዕዎም ነይሮም።*

*ወገን “**የበላውያን**”፡ ብፍላይ ንጉባኤ ብዝምልከት ኣድላዪ ዝበሃል ውሕስነታት ድሕሪ ምግባር ንጠቅላሊ መሪሕነት ንምውራድን መታካእታኡ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝጸንሕ ሓድሽ መሪሕነት ንምቛምን ዘቕርቡም ዝነበሩ ምጉት፡ ሓድሽ ዕንቅፋታት ብካልእ መልክዕ ብምፍጣር ንሃገራዊ ጉባኤ ንምፍሻል ኣቓዲሙ ዝጸንሐ ድሌት እምበር ካልእ ትርጉም ክዋሃቦ ኣይካኣልን ነይሩ።*

***ሰልፊ ዕዮ*፡** *መራሕቲ “**የበል**” ኣብ ዝሓለፈ እዋናት መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ሰራዊት ሓርነትን መራሕቱን ኣንጻሮም ደው ስለዝበሉን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ደው ዝብልሉ ባይታ ስኢኖም፡ ሰለዚ ከኣ ከምቲ ንሳቶም ኣብ ውሽጢ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተጻወትዎ ዓንቃፊ ተራ ኣብቲ ዝቐውም ሓድሽ መሪሕነት እውን ዓንቃፊ ተራ ዝጻወቱን ነቲ መሪሕነት ዕማማቱ ከምዘይፍጽም ዝገብሩን ባእታታት ንምእታው ሓድሽ መሪሕነት ምቛም ዝብል ውጥን ኣምጺኦም ዝብል ገምጋም ኢዩ ነይሩዎ።*

*ብዝሒ ድምጺ “**የበላውያን**” ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ውሑድ’ኳ እንተነበረ፡ ጉባኤ ብባህርያቱ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዝዓብለሎ ብምኳኑ፡ ጠቅላሊ መሪሕነት እንተ*

ዝወርድ ነይሩ፡ "የበላውያን" ኣብቲ ሓድሽ መሪሕነት'ውን ክውከሉ ይኽእሉ ነይሮም ኢዮም። ነዚ ሓሲቦም ከኣ ኢዮም ዝወራረዱ ነይሮም። ነዚ ጉዳይ'ዚ ግን ብዝተኽእለ መጠን ሓድነት ጉባኤ ንምዕቃብ ብግልጺ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ክትዛረበሉ ስለዘይከኣል፡ ባእታታት ሰልፊ ዕዮን ንመርገጺኦም ዝድግፉ ዝነበሩ ካድራትን ኣብ ውሽጢ ጉባኤኛታት ወጻኢ ካብቲ መጋባእያታት ይጉስጉሱ ነይሮም። ከም ውጽኢቱ ከኣ ነቶም መርገጺኦም ብምድጋፍ ዘይኮነስ ብስምዒት ኣብ ምውራድ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝድግፍዎም ዝነበሩ ሓይልታት ኣብ ምውሓድ ተዓዊቶም።

እቶም ዝበዝሑ "ንየበላውያን" ዝቓወሙ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነቶም ብዛዕባ ድሕነት ጀብሃ ኣብ መጨረሽታ ክዛረቡ ዝግበኦም "የበላውያን" ዘርእይዎ ዝነበሩ ዘለፋን ምድንጋርን ክምልሰሉ ድልዋት ኣይነበሩን። እዚ ግን ጽልዋታት ስለዘይነበሮም ወይ ብዛዕባ ውጥናት "የበላውያን" ዘለዎም ሓበሬታ ውሑድ ስለዝኾነ ኣይኮነን። የግዳስ ንምትኽታኻት "የበላውያን" ብኸምኡ ኣገባብ እንተ ድኣ መሊሶምሉ ጉባኤ ክይፈሽል ሰለዝሰግኡ ኢዮም። ዋላ'ቶም "ንየበላውያን" ዝምክቱ ዝነበሩ ካድራት ንርእይቶታት "የበላውያን" ኣብ ዝምልስሉ ዝነበሩ እዋን ዶብ ሰነ-ምግባር ክትዕ ይሳግሩ ኣይነበሩን። ነቲ ዝተጠቕሰ ጉዳይ ምዕዋት ጉባኤ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ንብዙሕ ዝዋቀምሉ ዝነበሩ ሓረጋትን ቅጽላትን መልሲ ካብ ምሃብ ይቑጠቡ ነይሮም።

በዚ መዳይ'ዚ ብዙሓት፡ ብፍላይ ከኣ ካብ መንን'ቶም "ንየበላውያን" ምስ ኩሉ'ቲ ብሓድነት ተ.ሓ.ኤን ሓባራዊ ስራሕ ኣብ ክሊ ጠቅላሊ መሪሕነትን ዘርኣይዎ ተደጋጋሚ ምስትንዓቅን ብዝተገብረሎም ሕድገታትን ዓቅሎም ዝጸበቦም ወተሃደራውያን መራሕቲ፡ "ንየበላውያን" ብትሪ ምምካትን ኣንጻሮም ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክውስድ ከምዝከኣል ምርድኦም ኣገዳሲ ምኻኑ ይራኣዮም ነይሩ። እንተኾነ ግን ሰልፊ ዕዮ ኣንጻር ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ ኢዩ ነይሩ። ብኣንጻሩ ንኩሉ ሰላማዊ ኣገባባት ተጠቒምካ ኣብ ቅድሚ ተጋደልትን ህዝብን ምሉእ ብምሉእ ምቅላዖም ኣገዳሲ ምኻኑ ኢዩ ዝርኣዮ ነይሩ።

እቲ ክትዕ ነዊሕን ዓቅሊ ዘጽብብን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ጽልዋታቱ ቀስ ብቀስ ኣብ ኣባላት ጉባኤ እናሰፋሕፍሐ ክሳብ ዝበዝሑ ኣንጻር "የበላውያን" ከም ዝኾኑ ገይሩ ኢዩ። ኣብ መጨረሽታ ድማ እቲ ጉዳይ ብድምጺ ተደምዳሚ። ከም ውጽኢቱ ከኣ የበላውያን ከምቲ ቅድሚ ኣብ ጉባኤ ምእታዎም ዝነበርዎ ንበይኖም ተነጺሎም ተሪፎም።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝተኻየደ ክትዕን ዝተበጽሐን ኣብ ኣዋጅ ጉባኤ ብከምዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ኣሎ።

**"እዚ ጉባኤ'ዚ ጠቅላሊ መሪሕነት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሜዳ ዝወጸሉ ስልጣን ከም ምኻኑ መጠን፡ ነቲ ካብ ጉባኤ ኣዶብሓ ነሓሰ 1969 ክሳብ ዕለት ምጅማሩ ለካቲት 1971 ኣብ ዝነበረ መድረኽ ዝተኸሰተ ኣወንታታትን ኣሉታታትን ብስምዒት ከይተገዝአ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ተመያይጥሉ። ኣብዚ ዓቢ ዕማም'ዚ ዝሓገዞ ድማ እቲ ንኩሉ ጉዳያት ብሓቀኛ መንፈስን ንጹርነትን ወድዓውነትን ዝገለጸ ናብ ጉባኤ ዝቐረበ ጸብጻብ ጠቅላሊ መሪሕነት ኢዩ። ጉባኤኛታት ኣብቲ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንሰለስተ መዓልታት ኣብ ዘካየድዎ ክትዕ፡ ምስ ጌጋታት ጠቅላሊ መሪሕነት ዝተኣሳሰር ወይ ንካልእ ረቛሒታት ዝምልከት ጠንቂ ናይቲ ኣሉታታት ክነጽርዎ ክኢሎም ኢዮም። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ረቛሒታት ድማ፡ እቲ ብውልቃዊ ቁርቁሳት ጀሚሩ ናብ ሓድሕዳዊ ናይ ኣዋጃት ኲናት ዝማዕበለን ብቑሉዕ መኸተ ኣንጻር ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ዝተደምደመን ንጥፈታት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ነበር ምኻኑ ተረጋጊጹ። ኣብቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ንዓሰርተው ሽውዓተ ኣዋርሕ ሓላፍነት መሪሕነት ሰውራ ዝተሰከመሉ**

እዋን ኣብ ትግባረ ዝፈጸሞ ጌጋታት እውን ብዝርዝር ተመያይጡ። ካብ ዝኾነ ይኹን ድርኺታት ናጻ ኮይኑ፡ ንምእንቲ ድሕነትን ቀጻልነትን ሰውራ ነቲ ጠንቂታት ድሕሪ ምንጻር ሰውራዊ ነቐፌታ ኣካይድሉ። ቀጺሉ ጉባኤ ናብ ጉዳይ ምቅጻል ወይ ምውራድ ጠቅላሊ መሪሕነት ኢዩ ተሰጋጊሩ። ነቲ መድረኽ ብደቂቅን ብኽውንነታዊ ኣገባብን ድሕሪ ምጽናዕን ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበረሉ ግዜ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋታት ኣብ ግምት ብምእታውን ጉባኤኛታት ነዚ ዝስዕብ ወሲኖም። ጠቅላሊ መሪሕነት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሜዳ፡ ክሳብ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየድ ናይ ምምራሕ ሰውራ ሓላፍነቱ ኣብ ምስካም ክቅጽል።"

ናብ ካልእ ኣርእስቲ ቅድሚ ምስጋርና፡ ኣብቲ እዚ ውሳኔ'ዚ ዝሓለፈሉ ማዓልቲ ዘጋጠመ ፍጻመ ክንጠቅስ ንፈቱ። ክልተ ምስ "የበላውያን" ጥቡቕ ምትእስሳር ዝነበሮም ተጋደልቲ ብጉባኤ ኣብ ከበባ ኣእትዮም ናታቶም ቅድመ ኩነታት ንምስግዳድ ዝንቀሳቀሱ ተጋደልቲ ኣለው ክብሉ ወረ ዘርጊሖም። ብድሕሪ'ዚ ኣባል ሰክረታርያት ሓላፊ ጸጥታ ጉባኤ ነቲ ጉዳይ ንምጽራይን ኣድላዩ ስጉምቲታት ንምውሳድን ተንቀሳቒሱ። እንተኾነ ግን ዋላ ሓንቲ ኣይረኸበን። ይኩን እምበር ሰክረታርያ ጉባኤ ኣብቲ ዝቐጸለ መዓልቲ ምኽንያት ከይጠቀሰት ናይ ንግሆ መጋባእያ ከም ዝተሰረዘ ብማይክሮፎን ገይራ ሕብረት። ነቶም ነቲ ወረ ዝዘርግሑ ተጋደልቲ ሒዛ ድማ መርመራ ኣካየደትሎም። ኣብቲ ዝተኻየደ መርመራ ከኣ ነቲ ወረ ካብ ኣባላት "የበላውያን" ከም ዝረኸብዎ ሓበሩ። እቲ ጉዳይ ንጉባኤ ንምንዋጽ "የበላውያን" ዝዘርግሕዎ ወረ ምዃኑ ድማ ሰክረታርያ ጉባኤ ገሚታ። ኣብቲ ናይ ምሸተ መጋባእያ ከኣ ናይ ንግሆ መጋባእያ ዝተቛረጸሉ ብገለ ተክኒካዊ ምኽንያታት ምዃኑ ሰክረታርያት ንጉባኤኛታት ሓበረት። ገለ ኣባላት ጉባኤ ይወሓዱ ይብዝሑ ብዘይገድስ ብዛዕባ ናይቲ ዝተባህለ ዕልዋ ሓበሬታ ዝነበሮም ነይሮም ኢዮም። እንተኾነ ግን ሰክረታርያ ምኽንያት ምቛራጽ መጋባእያ ናይ ንግሆ ምስ ገለጸትሎም ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ ክዛረብ ዝደሊ ኣባል ኣይነበረን።

"የበላውያን" ኣብ ጉባኤ ከላሽንኮፋትን ሓንቲ ፎኳስ ፈሻሽን ዝዓጠቁ ኣብ ሓደ ንጉባኤ ዝቆጻጸር ኩርባ ዝሓዙ 30 ዝኾኑ ተጋደልቲ ነይሮሞም ኢዮም። ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነትን ሰክረተርያ ጉባኤን ብዛዕባ ጉዳይ ናይዚ ጉጅለ'ዚ ምስኣታቶም ኣይተዘራረቡን። እንተኾነ ግን ሓለፊ ጸጥታ ጉባኤ በዛ ጉጅለ እዚኣ ኣብ ልዕሊ ጉባኤ ክመጽእ ዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻል ኣድላዪ ዝበለ ጥንቃቐታት ገይሩ ነይሩ። ንሱ ባዕሉ ከኣ ይከታተሎም ነይሩ።

## 5. ጉዳይ "ተፈንጨልቲ"

እዚ ጉዳይ'ዚ ናብ ጉባኤ ካብ ዝቐረቡ ጉዳያት እቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝነበረ ኢዩ። ዋላ'ኳ ንፍልልያት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ንምፍታሕ ንምፍንጫል ከም ኣገባብ ምጥቃም ኩሎም ተጋደልቲ ይነጽግዎ እንተነበሩ፡ ኣብ ኣገባብ ኣፈታትሕኡ ግን ብብርቱዕ ተኸፋፊሎም ነይሮም። እዚ ምፍንጫል'ዚ ድማ ኣብቲ ጉባኤኛታት ንምክያድ ጉባኤ ዝጽበዩሉ ዝነበሩ ግዜ ብብሩህ ይርአ ነይሩ። ሓደ ወገን፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ክየስፋሕፈሐ እንከሎ ዋላ ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ገደብ ክግበረሉ ኣለዎ ክብል ከሎ፡ እቲ ሓደ ወገን ድማ ነቲ ተርእዮ ኣብ ምፍታሕ ዘተ ዝኣክል ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ ዝብል ነይሩ።

ዝጸነሐ ኪዳናት ተለዋዊጡ። "የበላውያንን" ባእታታት ሰልፊ ዕዮን ዝበዝሐ ክፋል ካብ ካድራት ውድብን ምስ ኩሉ ፍልልያት ምጉቶምን ዕላማታቶምን ዘተ ኣብ

ዝብል ምርጫ ሓደ መርገጺ ወሲዶም። “ያበላውያን” ኣብ ልዕሊ ጠቕላሊ መሪሕነት ዝላዓለ ጉድኣት ንምውራድን ንዝሓለፈ መርገጺታቶም ምኽኑይ ንምግባርን፡ ጠቕላሊ መሪሕነት ብዝወሰዶ ውልቃውን ፍኑውን ስጉምቲታት ምፍንጫላት ከም ዝቅልቀል ስለዝገበረ ዝዓበየ ሓላፍነት ይስከም ይብሉ ነይሮም። እንተ ሰልፊ ዕዮ፡ ብጌጋታት ጠቕላሊ መሪሕነት እኳ እንተ ተኣመነ፡ እቲ ተርእዮ ምፍንጫል ዝኸሰተ ዝዓበየ ጠንቂ መርገጺ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ውሳኔታት ኣዶብሓን ጠቕላሊ መሪሕነትን ገለ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ጉባኤ ኣዶብሓ ንዘሰከሞም ሓላፍነት ጠንጢኖም ጸግዒ ወገን ላዕለዋይ ባይቶ ምውሳዶምን ምዃኑ ኢዩ ዝገልጽ ዝነበረ።

ካብቲ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝርከብሉ ከባቢታት ዝመጹን ብፍላይ ከኣ መዓልታዊ ምስ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ዝራኸቡ ዝነበሩን ከም መራሕቲ ጋንታታትን መሳርዕን ተጋደልቲ ኣባላት ጉባኤ ብዝያዳ ናብ ዘተ ዝብል ምርጫ ዝዘንበሉ ኢዮም ነይሮም። ዘቕርብዎ ዝነበሩ ምጉት ከኣ፡ ተጋደልቲ ሻዕብያ ብሓድነት ተ.ሓ.ኤ ዝኣምኑን፡ ናይ ምፍንጫል ክውንነትን ናብ ውድድራት መሪሕነት ምእታውን ዝነጽጉ ኢዮም፡ ሰለዚ ጉባኤ ዝወሰዶ ኣወንታዊ መርገጺ፡ ንሜዳ ካብቲ ውጽኢቱ ሓደገኛ ዝኾነ ምፍንጫላት ከድሕኖን ሓድነት ሰውራ ከውሕስን ይኽእል ኢዩ ዝብል ነይሩ።

እቲ ተሪር መርገጺ ክውሰድ ዝጠልብ ዝነበረ ወገን ድማ፡ ዘተ ነቲ ሽግር ክፋትሖ ከም ዘይክእልን እዚ ሓይሊ'ዚ ካልኣይ ግዜ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ክምለስ ኢሉ ከም ዘይተፈንጨለን ብምሕባር፡ ዝያዳ ተወሳኺ ግዜ ምሃቡ ነቲ ኩነታት ከም ዝሓላልኽን ናብ ክትፈትሖ ዘይትኽእለሉ መድረኽ ከሰጋግሮ ምዃኑን ይገልጹን ይማጎቱን ነይሮም።

እንተ መራሕቲ ሓይልታት መርገጺታቶም ካብ ክሊ ሓይሊን ዘተን ዘይወጽእ'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ኣዝዩ ብሩህ ነገር ግን ብትሪን ልኡምነትን ኣብ ዝግለጽ መርግርጺታት ምክፍፋሎም ኢዩ። ካብቶም ተሪር መርገጺ ዝነበሮም ዝበዝሑ መራሕቲ ሓይልታት፡ ኣብቲ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ዝተቀልቀልሉ ከባቢታት ሰምሃርን ኣከለጉዛይን ዝነበሩ ኢዮም ነይሮም። ካብቶም ካልኦት ብጾቱ ዝተፈልየ መርገጺ ዝነበሮ ንዘተ ዝጽውዕ ዝነበረ ሓምድ ሃሮን ዝተባህለ መራሒ ሓይሊ ግን ነይሩ። ሓምድ ሃሮን ሓደ ካብቶም ኣብ መጨረሽታ 1970 ንኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ንምቅንጻል ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዘመሓላለፎ ውሳኔ ዝነጸጉን ኣብ ጉባኤ መርገጺኡ ዓቂቡን ብትሪ ንዘተ ዝጽውዕ ዝነበረን ኢዩ ነይሩ። ሓምድ ሃሮን ነቲ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ናይ ቅንጸላ ውሳኔ ሂወት ኤርትራውያን ብኢድ ኤርትራውያን ንምጥፋእ ዝተገብረ ፈተነ'ዩ ብምባል ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ካብ ምልዓሉ ድሕር ኣይበለን። ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተቆጢዑ ንመርገጺ ሓምድ ሃሮን ብጥልመት ብምግላጽ ብትሪ መሊስሉ።

ነቲ ጉዳይ መደምደምታ ምግባር ኣጸጋሚ ነይሩ። እቲ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ክሲታትን ስምዒታት ናይቶም ተሪር መርገጺ ዝነበሮም ኣብ ምልዕዓልን ዘተኮረ መግለጺታት “ያበለውያን” ድማ ነቲ ጉዳይ መሊሱ የጋድዶ ነይሩ። እቲ ኩነታት ብፍላይ ነቶም ምስ “ያበላውያን” ኣብ ሓደ ዕርዲ ኮይኖም ንናይ ትማሊ ማሓዝቶም ንክገጥሙ ዝተገደዱ ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ዝጸንከረ ኢዩ ነይሩ።

* * *

ቀጺሉ ድማ ናብቲ ሓዊ ላምባ ዝወሰኸ ፋጻመ ኣጋጢሙ።

ክሳብ ሕጂ እቲ ክትዕ ጉዳይ ተፈንጨልቲ ኣብ ተርእዮ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ኳ ጉዳይ ኣባል ጠቕላሊ መሪሕነት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ጉጅለኡን ሓደ ካብቲ ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝኣተወ እንተኾነ ገና ተላዒሉ ኣይነበረን።

ርሱን ክትዕ እናተኻየደን ናይ ርእይቶ ፍልልያት ናብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑን እንከሎ ድማ ከም በርቂ ዝወረደ ዜና ናብ ቦታ ጉባኤ መጺኡ። እቲ ሓበሬታ ጉጅለ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣርባዕተ ካብ ፊዳይን ጊንዳዕ ኣብ ድርፎ ከም ዝቐተለ ዝሕብር ነይሩ። እቶም ፈዳይን ሓሙሽተ ከም ዝነበሩ፡ ጉጅለ ኢሳይያስ ንኽዛተዮም ምስ ዓደሞም እቲ ሓሙሽይ ብገለ ምኽንያት ደንጉዩ፡ እቶም ኣርባዕተ መጺኦም ኮፍ ምስ ኣበልዎም ድማ ብቶኹሲ ሓደጋ ከም ዝወደቕዎም እቲ ሓበሬታ የረድእ። እቶም ኣርባዕተ ዑስማን ኢብራሂም፡ መሓመድ ዒሊ ሓምድ፡ ሕመድ ገሻን ሙሳ ኣደምን ዝበሃሉ ምንባሮም፡ እንተ'ቲ ሓሙሻይ ናይ ዓይኒ ምስክር ንኽኸውን ከም ዝደሓነ እቲ ሓበሬታ ብተወሳኺ ይጠቅስ።

ኩሉ ኣባል ጉባኤ ዝኣምንን ዘ'ክሕድን ኮይኑ። ይኹን'ምበር እቲ ኣገዳሲ ነገር ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ተጣበቕቲ ዘተ ኣብ ክከላኸልሉ ዘይከእሉ ኩነታት ምውዳቖም ኢዩ ነይሩ።

እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. "**ብጉጅለ ኢሳይያስ**" ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ከም ውጽኢት ፍሽለት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ጉዳይ ምስታፍ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ይርኣ ሰለዝነበረ፡ መፍትሒኡ ካብቲ ካልእ ናይ ምፍንጫል ተርእዮታት ብዝተፈልየ ንኩሉ ድሕረ ባይታ ናይቲ ሽግር ኣብ ግምት ዘእተው ክኸውን ኣለዎ ዝብል ነይሩ። ካብዚ መረዳእታ'ዚ ብምብጋስ ድማ እቲ ሽግር፡ ነቲ ጉጅለ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ብዝመልስን ተሳትፎኡ ብዘውሕስን፡ ሽግር ክርስትያን ደቂ ከበሳ ብሓፈሻ ንምፍታሕ ጥጡሕ ባይታ ብዝፈጥርን ኣገባብ ክፍታሕ ከምዘለዎ ኩሉ ዝስማማዓሉ ጉዳይ ነይሩ።

እቲ ፍጻመ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ተሪር መልሰ ተግባር ኣኸቲሉ። ብፍላይ ከኣ በቶም ተርእዮ ናይዚ ጉጅለ'ዚ ንመጻኢ ሓደገኛነቱ ካብ ተርእዮ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣይፍለን ኢዩ ዝብሉ ዝነበሩ ተሪር መርገጺ ዝነበሮም።

ብሓቂ ባእታታት ሰልፊ ዕዮ፡ ብፍላይ ነቲ ንዘተ ዝጽውዕ መርገጺኦም ብጽኑዕ ተኸላኺሎምሉ ኢዮም። እቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ምጉት ድማ፡ እቲ ዝጠፍአ ሂወት ክቡር እኳ እንተኾነ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ሃንደበታዊ ፍጻመታት ተደሪኽና ካብቲ ንተርእዮ ምፍንጫል ንምፍታሕ እንኽተሉ እስተራተጂ ክንእለ ከምዘይግባእ ዝብል ነይሩ። ተርእዮ ምፍንጫል ሓደገኛን ዓቢ ተርእዩን ስለዝኾነ ንምፍታሑ ብስምዒታት ከይተገዛእካ ሓያል ትዕግስትን ጥንቃቐን ዝሓትት ኢዩ ይብሉ ከኣ ነይሮም።

እቲ መልሰ ተግባር ክሳብ ክንደይ ሓያልን ተሪርን ከም ዝነበረ ዘረድኣና ድማ ሓደ ካብ ወተሃደራውያን መራሕቲ ስሌማን ዝተባህለ እቲ ሓቂ ካብ ተቓለዐ ዝኾነ መመኽነይታ ወዲቁ ንምባል "**ገመል ሰሪቅካስ ጉምብሕ ጉምብሕ**" ክብል ነቲ ፍጻመ ምምሳሉ ኢዩ።

እቲ ንተርእዮ ምፍንጫል ንምፍታሕ ትዕግስትን ኩሉ ኣገባባት ዘተን ንምኽታል ዝጽውዕ ዝነበረ ካብቲ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ዝጽውዕ ዝሓየለ ነይሩ። እቲ ናይ ዘተ ምጉት ንድሌት ናይቶም ብተደጋጋሚ ዘረባታት ናይ ውሽጣዊ ፍልልያት ዝሰልቸዋምን ናይ ቃልሲ ሕልንኦም ዝተተንከፈን ተጋደልቲ ዝቐረበ ኢዩ ነይሩ። ዘተ ከኣ ተወሲኑ።

ንተርእዮ ምፍንጫልን ጠንቂታቱን ብዝምልከት ጉባኤ ዝበጽሖ መረዳእታ ንምፍላጥ ድማ ከም ባይታ ናይቲ ውሳኔ ኣብ ኣዋጅ ጉባኤ ካብ ዝሰፈረ እዚ ዝስዕብ ንጠቅስ።

"ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ምስ ተኣወጀ፡ ትግባረኡ ኣብ ባይታ ብዘይ ዝዕንቅፍ ወይ ዘሰናኽል ተቓውሞ ናይቶም ረብሓታቶም ዝተጎድኦም ወይ ኣተሓሳስባኦም ዝተሃርሞም ባእታታት ክፍጸም ከም ዘይክእል ብሰላ ንቑሕ ተመኩሮ ብኩሉ ዝተፈልጠ ኢዩ ነይሩ። እዚ ግምት እዚ ድማ ብጥንቆላ ወይ ካብ ተስፉ ምቁራጽ ዝተበገሰ ዘይኮነስ፡ ካብቲ ዝነበረ ሓቀኛ ክውንነት ዝተበጽሐ ኢዩ። ሰውራና ኣብ ኩሉ መድረኻቱ ብዘይ ሰውራዊ ኣገባብ ይምራሕ ከም ዝነበረን ገለ ባእታታት እውን ሰውራዊ ሕመረቶም ብዘይምጽራይ ኣብ መሪሕነታዊ ቦታ ብዘይ ወድዓዊ መሰረት ከም ዝመጹን እንተ ድኣ ተረዳእና እቲ ሓቂ ይበርሃልና ኢዩ። እዞም ባእታታት እዚኣቶም ብዘይ ምስንኻል ወይ ብዘይ ናይ ምቁጽጻሩ ፈተነ ወይ ብዘይምንጻግ ንውሳኔታት ጉባኤ ክቅበልዎ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል ግምት ፍጹም ኣይነበረን። ምኽንያቱ ባህርያት ኣድሓርሓርትን ተበለጽትን መሪሕነታት ኣብ ኩሉ ሰውራታት ጠንቂታት ቁርቁሳቶም እንተ ተፈላለየን ንጸቢብ ረብሓታቶም ኣብ ሰውራ ንምዕቃብ ዝኸተሉዎ ኣገባባት እንተ በዝሓን ኣብ መጨረሽታ ሓደ ኢዩ። ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ዘጋጠሞ ከኣ እዚ ኢዩ ነይሩ። ብሓጺሩ እዚ ከኣ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ትሽዓተ ዓመታት ፍታሕ ከይርኸበ ዝጸንሐ ዝተሓላለኸ ሽግራትን ጠንቂታቱን ዝገደፎ ኢዩ። ብመሰረት ሰውራዊ ባህርያት ውሳኔታት ኣዶብሓ ብሓደ ወገን፡ ተበለጽን ኣድሓርሓርን ባህርያት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ከኣ በቲ ካልእ ወገን ኣብ ግምት ብምእታው እቲ ኵናት ትጽቢት ዝተገብረሉን ብሩህን ኢዩ ነይሩ። ብልክዕ ድማ ኣባላት ዝፈረሰ ላዕለዋይ ባይቶ ተንቀሳቒሶም። ምንቅስቓሳቶም ድማ ሓንሳብ ተንኮልን ምድንጋርን ዝመልአ፡ ካልኣይ ግዜ ከኣ ኣብ ትሕቲ ዘብለጭልጭ ሃገራዊ ጭርሖ ተሓቢእካ ተበላጺ ተግባራት ከ ምፍጻም ዝልል ኢዩ ነይሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ጭርሖታት ኣልዒልካ ብተደጋጋሚ ምቅላሑ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብቲ ሰውራና ዝሕልፎ ዝነበረ ንኩሉ ፍሉጥ ዝነበረ ኩነታት ንገለ ስምዒታቶም ብዓውዓወታ ዝስለብ ቀለልቲ ሰባት ከዳናግር ከም ዝኽእል ንሰውራና ሓድሽ ኣይነበረን። እዚ ንውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ንምብርዓንን ቀጻልነት ገለ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ሰውራ ንምውሓስን ዝዓለመ ምንቅስቓስ'ዚ ብምሕያል ድማ ኣብ ትሕቲ 'ምቅንጻል ተበለጽቲ ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕ' ዝብል ጭርሖ ጉባኤ ዓማን ተኻይዱ።"

………………………………………………………………………………………

………………………………………………………………………………………

"እቲ ንተበለጽቲ ንምጽራግ ተባሂሉ ዝተዘርበሉ ጉባኤ ዓማን ኣብ ዝለዓለ መሪሕነታዊ ኣካል ጠቅላሊ ሰክረታርያን ፈጻሚት ሽማግለን ዝተሰምዩ ተበለጽቲ ባእታታት ንባዕላቶም ናብ ኮርሻ ስልጣን ምምላሶም ዘስደምም ኢዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ዝተገብረ ምእራም ኣስማት ክፍልታት ምቅያር ጥራይ ኢዩ ነይሩ።"

………………………………………………………………………………………

………………………………………………………………………………………

"ንሓቀኛ ናይቲ ኣብ መንጎ ሰውራን ሰውራ ዝተፍኦም ተበለጽቲ ባእታታትን ዝነበረ ቁርቁስ ዘይተረድኡ ገለ ሰባት ኣኪቦም ሰውራዊ ስራሕ ንምእራም ንዝነበሮም ልዑል ድሌትን ባህጊን እናመዝመዙ ድማ ናብ ወጻኢ ሰዲዶም ብረት ኣዕጢቆም ናብ ሜዳ ንምምላሶም ዓቢ ንጥፈታት ጀሚሮም። ጠቅላሊ መሪሕነት ንነፍሱ ከም ነባሪ መሪሕነት ገይሩ፡ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ከካይድ ድልው ኣይኮነን፡ እናበሉ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳን ክሲታትን እናዘርግሑ ኣንጻሩ ኣለዓዒሎምዎ። እንተኾነ ግን ጠቅላሊ

መሪሕነት ንሰውራ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ምስቲ ኩሉ ሕልኽላኻት ዝላዓለ ምትዕጽጻፍ ገይሩ ኢዩ። ነዚ ዘረጋግጾ ድማ ነቲ ኩሉ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምክያድ ዝዕንቅፍ ዝነበረ ጉዳያት ንህዝቢ ብቀጻሊ ምግላጹን ሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ምዃኑን ምርግጋጹ ኢዩ። ሓቀኛነት ናይዚ ዝበልናዮ ዘረጋግጽ ድማ ጠቕላሊ መሪሕነት ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ምእንቲ ንኩሉ'ቲ ዘጋጥም ዕንቅፋታት ንምእላይ ነዚ ወተሃደራዊ ጉባኤ እዚ ምጽውዑ ኢዩ።

ሓደ ካብቲ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዝተመያየጠሉ ጉዳይ ድማ ህላወ ዝተፈንጨሉ ዕጡቓት ኣብ ሜዳ ኢዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ዝኾነ ይኾን ሃገራዊ ጉባኤ ዝዕንቅፍ ወይ ነዚ ስም'ዚ ከም ዘይበቅየ ዝገብር ተርእዮ ንምእላይ ብሓቀኛን ዕቱብን ጠመተ ኢዩ ተመልኪትዎ። ሰለዚ ከኣ ጉባኤኛታት ነዚ ዝስዕብ ወሲኖም። እዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ ምእንቲ ክፍታሕ፡ ጉባኤ ምስተን ዕጡቓት ጉጅለታት ተራኺባ ኣብ መንጎኦምን እቶም ጉባኤ ዝወሰኖም ወገናትን ርክብ ኣብ ዝካየደሉ ዕለት እትስማማዕ ናይ ርክብ ኮሚተ ኣቑሙ። እቶም ጉባኤ ዘቖሞም ኣካላት፡ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ መራሕቲ ሓይልታት፡ ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት፡ መራሕቲ ክፍልታት ነበርን ምክትላቶምን ኮሚተ ምክትታልን ኢዮም። ወጽኢት ናይቲ ርክብ ድማ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ቀያዲ ውሳኔ ይኸውን።"

# 6. ሓፈሻዊ ገምጋም ውጽኢት ወተሃደራዊ ጉባኤ ዓዋተ

መርገጺ ኣብ ልዕሊ ተፈንጨልቲ፡ ምስቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኣብ ልዕሊ ተፈንጨልቲን ምኽንያት ምፍንጫሎምን ዝነበረ ዕቓበታት፡ ጉባኤኛታት ድሕሪ ዓሚቝ ክትዕ ነቲ ናይ ምፍንጫል ተርእዮ ብመገዲ ዘተ ንምፍታሕ ብምሉእ ድምጺ ወሲኖም። ከም ልሙድ፡ ትግበረ ውሳኔታት ጉባኤታት ሓላፍነት ናይቲ ካብ ጉባኤ ዝምረጽ መሪሕነታት'ኳ እንተኾነ፡ ጉባኤ ዓዋተ ግን ሓላፍነት ናይቲ ዝካየድ ዘተ ንጠቕላሊ መሪሕነት ጥራይ ዘይኮነ ንብዙሓት ወገናት ኢዩ ኣሰኪሙዎ። ጉባኤ ነዚ ዝወሰነሉ ምኽንያት እቶም ዝተፈንጨሉ ሓይልታት ብሓቂ ድዩ ብሓሶት ብዘየገድስ ንኽፍንጨሉ ዝደረኾም ጠቕላሊ መሪሕነት ኢዩ እናበሉ ይኸሱ ሰለዝነበሩ፡ እቲ ሓላፍነት ንዕኡ ጥራይ እንተ ተዋሂቡ ካብ ዘተ ንምህዳም ከም ምኽንያት ንኽይጥቀምሉ ተባሂሉ ኢዩ። እቲ ውሳኔ ንክብርን ስልጣንን ጠቕላሊ መሪሕነት ዘጉደለን ኣብ ውሽጢ ውድብ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረ እምነት ከም ዝጎደለ ብንጹር ዘብርህን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ረብሓ ሓድነት ወገናት ተ.ሓ.ኤ. ልዕሊ ኩሉ ዝሰርዕን ተርእዮ ምፍንጫል ኣብ ሰውራ ዓሚቝ ሱር ቅድሚ ምስዳዱ ንምእላዩ ዝፍትንን ኢዩ ነይሩ።

እቶም ንዘተ ዝተመዘዙ ኣካላት ኣስታት 100 ተጋደልቲ ዝበጽሑ ነይሮም። እዚኣቶም ድማ ንሰራዊት ሓርነት ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ነቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብግልጺ በሪሁ ዝነበረ ዝተፈላለየ ርእይቶታቱ ዝውክሉ እውን ኢዮም ነይሮም።

ነዞም ኣካላት እዚኣቶም ምምዛዝ ጥራይ ዕቱብነት ናይቲ ጉባኤ ዝሕብር ኢዩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር ድማ እዞም ኣካላት እዚኣቶም ናብ ሓድነት ተ.ሓ.ኤን ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤን ዘብጽሕ ዝኾነ ይኹን ስምምዕ ምስ ተፈንጨልቲ ክገብሩ ምሉእ ሓላፍነት ምሃቦም'ዩ። እዚ "ተወካሊ ኣካል" ክንብሎ እንኽእል ዝተመዘዘ ኣካላት'ዚ ረብሓ ሓድነት ዝእዝዞ እንተድኣ ኮይኑ ንውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ብምልኡ ከምኡውን ንምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ዕለት ክሰርዞ ይኽእል ኢዩ ነይሩ። እቲ

**“ውጽኢት ናይቲ ርክብን ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ቀያዲ ውሳኔ ይኸውን”** ምባሉ ድማ ብጀካ እቲ ዝበልናዮ ካልእ ትርጉም ክዋሃቦ ኣይክእልን ኢዩ።

እቲ ውሳኔ መናውራ ዘይኮነ ምሉእ ድሌት ናይ ምሉእ ውድብ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ካብቲ እቲ ተርእዮ ዝተኸሰተሉ ክሳብ ጉባኤ ብዝተኻየደ ነዊሕ ውሽጣዊ ዘተታትን ዓሚቕ ፍልልያት ኣብ ርእይቶን ዝተበጽሐ ኮይኑ ናይ ምሉእ ውድብ ምስ ዝተፈላለየ ክፍልታቱ ድሌት ዝገልጽ ውሳኔ ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ውሳኔ ድማ ብዙሕ ግዜ መሪሕነታት ንፖለቲካዊ መናወራታት ዝእውጁ ውሳኔታት ዝተፈልየ ኢዩ።

ብዛዕባ'ቲ **“ተፈንጨልቲ”** ዝብል ቃል ድማ፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝተፈላለየ ቅጽላት ይወሃቦ ነይሩ ኢዩ። **“ያበላውያን”** ከም መጸውዒኡም ዝመረጽዎ ስም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ክብልዎ የስከፎም ኣይነበረን። እንተ'ቲ ዓብላሊ ስም ሓይሊ ዑስማን ሳበ ዝብል ነይሩ። ኣብ ጉባኤ፡ ነቲ ተርእዮ ክትዓት ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ነፍሲ ወከፍ ዝደለዮ ስም ይጥቀም ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣዋጅ ጉባኤ ኣብ ዝጸሓፈሉ ዝነበረ ግዜ ካብ ኩሉ'ቲ ስያመታት ከም ማእከላይ ፍታሕ **“ተፈንጨልቲ”** ዝብል ቃል ተመሪጹ። ኩሉ ድማ ተሰማሚዕሉ ኢዩ።

***ጠቅላሊ መሪሕነት፡*** ጉባኤ ንጠቅላሊ መሪሕነት ካብቲ'ን ዝኾነ መሪሕነት ስልጣኑ ብኣድማዕነት ንክጥቀም ኣገዳሲ ዝኾነ መሰረታዊ መሰላት ምስ ኣሕደጎ ካብ ጉባኤ ድኹም ኮይኑ ኢዩ ወጺኡ። እዚ ድማ ኣብቲ ሰለስተ ውሳኔታት ጉባኤ በሪሁ ይርአየካ።

**ቀዳማይ፡** ምድላው ሃገራዊ ጉባኤ ብምልኡ ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓለፍነት ምስካሙ። (ድሒሩ ብላግጺ፡ ግብራዊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኢያ ተባሂሉ።)

**ካልኣይ፡** ኣብ ጉዳያት ዘተ ምስ ተፈንጨልቲ ንሱ ሓድኡ እምበር ፍሉይነት ዘይብሉ ሓሙሽተ ኣካላት ምምዛዙ።

**ሳልሳይ፡** ብወገን ጠቅላሊ መሪሕነት ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝተወሰነሉ ዕለት ንኸይካየድ ዕንቅፋታት እንተ ድኣ ኣጋጢሙ ንወተሃደራዊ ጉባኤ ክጽውዕ ስልጣን ዝተዋህቦ ናይ ምክትታል ኮሚተ ምቛሙ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጉባኤ ኣብ ደምዳሚ ኣዋጁ **“ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ ንዓሰርተ ሽውዓተ ኣዋርሕ ሓላፍነት መሪሕነት ሰውራ ዝተሰከመሉ እዋን ኣብ ትግባረ ዝፈጸሞ ጌጋታት እውን ብዝርዝር ተመያይጡ። ካብ ዝኾነ ይኹን ድርኺታት ናጻ ኮይኑ፡ ንምእንቲ ድሕነትን ቀጻልነትን ሰውራ ነቲ ጠንቂታት ድሕሪ ምንጻር ሰውራዊ ነቐፌታ ኣካይድሉ።”** ክብል ገሊጹ። እዚ ድማ ኣብ ካልእ ተመሳሳሊ ተመኩሮታት ተወዳዳሪ ዘይብሉ ንመሪሕነት ውድብ ብጋህዲ ምንቃፍ ኢዩ።

ምስዚ ኩሉ ግን፡ ጉባኤ ንኩሉ ጌጋታት ንጠቅላሊ መሪሕነት ጥራይ ኣየሰከሞን። ከምኡ ገይሩ እንተዝኸውን ቅንዕንኡ ምጉደለ ነይሩ። ጉባኤ **“ሓደ ካብቲ ቀንዲ ረቛሒታት፡ እቲ ብውልቃዊ ቁርቁሳት ጀሚሩ ናብ ሓድሕዳዊ ናይ ኣዋጃት ኵናት ዝማዕበለን ብቅሉዕ መኸተ ኣንጻር ውሳኔታት ጉባኤ ኣደብሓ ዝተደምደመ ንጥፈታት ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ነበር ኢዩ”** ክብል ኣነጺሩዎ። ንሓቀኛነት ናይዚ ገምጋም'ዚ ዘረጋግጽ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ምዕራፋት ናይዚ መጽሓፍ'ዚ እኹል መርትዖታት ቀሪቡ ኣሎ።

ጉባኤ ንጠቅላሊ መሪሕነት በቲ ኣብ ኣፈታትሓ ተርእዮ ምፍንጫል ይኹን ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ዝተኸተሎ ኣገባብ ኣቢሉ ክኸይድ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ

ኣመራጺታት ክውስድ ዕድል ኣይገደፈሉን። ምኽንያቱ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ንኩሉ ጉዳያት ኣድላዪ ውሕስነታት ስለዝገበረሉ። እዚ ድማ እቲ ሽዑ ዝነበረ መድረኽ ዝጠልቦ ኢዩ ነይሩ።

እዚ ኩሉ ዝተጠቅሰ መርገጺታትን ውሳኔታትን ኣብ ልዕሊ ጠቕላሊ መሪሕነት በስገዳድ ዝሓለፈ ኢዩ ኢልካ ምዝራብ ግን ፍትሓዊ ኣይኮነን። ጠቕላሊ መሪሕነት ስጡምን ስሙርን ፖለቲካዊ ስልጣን እንተ ዝኾውን ነይሩ ከምዚ ዓይነት ኣዘራርባ ሓቅነት ምሃለዎ ነይሩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝገለጽናዮ መብዛሕትኦም ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት በቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተቀልቀሉ ማእከላት ሓይሊ ዓቅሎም ጸቢቡዎም ብዘይካ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ምኻድ ካልእ መዋጽኦ ካብቲ መሪር ክውንነት ይርእዩም ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ንሳቶም ገብኤ ናብቲ ዝበጽሖ ውሳኔታት ንኽበጽሕ ኣወንታዊ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም። ከምኡውን ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ኣብ ውሽጢ ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ገለ ኩነታት ንውልቃዊ ዕግበታቶም ብምጉሳይ ብፖሊሲታት ናይቲ ሰልፊ ተቀይዶም ንምዕዋት ዕላማታቱ ሰሪሖሞ ኢዮም።

***የበላውያን፣*** "***የበላውያን***" ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ከም ልኡኻት ህዝባዊ ሓይልታት ኢዮም ዝራኣዩ ነይሮም። እቲ ቅድሚ ጉባኤ ከይተረፈ በሪሁ ዝነበረ ሕሉፍ መርገጺታቶምን ምሕዝነቶም ምስ ዑስማን ሳበን ንጉባኤ ንጹር ኢዩ ነይሩ። ይኩን እምበር ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝላዓል ዝነበረ ጉዳያት ዘርእይዎ ዝነበሩ መርገጺታት እውን ንረብሓ ሻዕብያ ልዕሊ ረብሓ ተ.ሓ.ኤ ዘሰርዕ ኮይኑ ይረኣ ነይሩ። ንባዕሉ ጠቕላሊ መሪሕነት ንምውራድ ዝጠልብ መርገጺታቶም ብኣረኣእያ ጉባኤኛታት ክሳብ ክንደይ ጸግዒ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ከምዝኾኑ ዘረድእ ጭቡጥ ምስክር ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ቲ ምስ "**ተፈንጨልቲ**" ዘተ ንኽካየድ ዝጽውዕ ኣወንታዊ መርገጺታቶም ከም ንውዳቅ ዕላማ ዝዓለመ ሓቀኛ ቃል ይትርጉም ነይሩ ኢዩ።

"***የበላውያን***" ኣብ ከሰላ (ጥቅምቲ 1970) ንዕልዋ ኣብ ዝውጥንሉ ዝነበሩ ግዜ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉባኤ ተገዲዶም ክሳተፉ ምጂኖም ኣብ ሓሳቦም ኣይነበረን። እንተኾነ ግን እቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝገለጽናዮ ናይ ዕልዋ ውጥን ምስ ፈሸለ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዝነበረ እንኮ ምርጫ ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ምስታፍ ኢዩ ነይሩ።

መራሕቲ "***የበል***" በቲ ከም ንሓይልታት ባርካ ካብ ደቂ ባርካ ዘይኮኑ ምጽራይ፡ ንዝተረፉ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ንምህራም ምስ ባእታታት ላዕለዋይ ባይቶ ምምሕዛው ዝኣመሰለ ገሊኡ ክሳብ ፖለቲካዊ ገበን ዝበጽሕ ዝፈጸምዎ ገበናት ብጉባኤኛታት ምትሕስሳብ ኣይተገብረሎምን፡ እቲ ምኽንያት ድማ ጉባኤኛታት ብዝተኻእለ መጠን ሓድነት ውድብ ምዕቃብ ልዕሊ ኩሉ ስለዝሰርዑ ኢዩ። ጉባኤ ብናይ ሓባር መርገጺ ምእንቲ ክወጽእ ድማ፡ ዋላ ኣብቲ ምስኦም ዝካየድ ዝነበረ ዝጸንከረ መድረኻት ናይ መኸተ እውን እንተኾነ ተጻረርቶም ብዘይካ ከም ኣድላይነቱ ሽፈፍ ኢልካ ዝሕለፍ ሕሉፍ ተግባራቶም ይዛረቡሉ ኣይነበሩን።

"***የበላውያን***" ምስቲ ኩሉ ዘካየድዎ ጻዕሪታት ካብቲ ናብ ጉባኤ ከኣትው ከለው ዝነበርዎ ኩነታት ብዝሓሸ ካብ ጉባኤ ኣይወጹን። ብዘይካ'ቲ ዝተጠቕሰ ሕሉፍ ታሪኾም፡ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዘርኣይዎ ተግባራትን መርገጺታትን ካብቲ ኩሉ ዝስማማዓሉ ዝበለጸ ፍታሕ ንምርካብ ካብ መጋባእያታት ጉባኤ ወጻኢ ከይተረፈ ነዊሕ ዘተታት ዘካይድ ዝነበረ ዝበዝሐ ጉባኤኛ ከም ዝንጸሉ ገይሩዎም ኢዩ።

"***የበላውያን***" ኩሉ'ቲ ኣብ ጉባኤ ከረጋግጽዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ዕላማታት ክትዛረበሉን ጭብጢታት ከተቕርበሉን ኣጸጋሚ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ተጻራሪኦም ኣብቲ ምስኦም ዝካየድ ዝነበረ ክትዓት እናማዕበለን ናይ ርእይቶ ፍልልያት እናሓየለን

ምስ ከደ፡ ኣብ ኩሉ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ርእይቶታት ኣብ ናታቶም መፈንጠራ ምእንቲ ከይኣቱ ብጥርጣረን ጥንቃቐን ይዋሳእ ከም ዝነበረ ክጥቐስ ይከኣል።

"የበላውያን" ምስ ካልኦት ኮይኖም ብሓባር ደምዳሚ ኣዋጅ ጉባኤ'ኳ እንተ ኣዳለው፡ ካብ ጉባኤ ግን ከይተሓጎሱ ኢዮም ወጺኦም። ነቲ ምእንትኡ ኢሎም ዝመጹ ሓደ ካብኡ ምውራድ ጠቕላሊ መሪሕነትን ውሱን ዕላማታት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ሓድሽ ምስናዶኦታት ምግባርን ኣይተዓወትሉን።

እቲ ሓደ ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ኣረጋጊጾሞ ክበሃል ዝከኣል፡ ኣካል ናይታ ኣመና ዝተጻብኡዋን ክሳብ ናብ ምእዋጅ ምፍንጫል ዝተመጣጠሩሉን ተ.ሓ.ኤ. ኮይኖም ምውጻኦም ጥራይ ኢዩ። እዚ ሓድሽ ክውንነት ድማ ዋላ ንግዚኡ ይኹን ከም ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ኮይኖም ኣብ ክሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሓለፍነቶም ክጥቐሙ የፍቅደሎም ነይሩ። ብፍላይ ከኣ ጠቕላሊ መሪሕነት ካብ ጉባኤ ዓዋተ ድኹምን ስልጣኑ ዝተመንዘዐን ኮይኑ ስለዝወጸ ካብ ዝኾነ ይኹን ምትሕስሳብ ወይ መኸተ ከይሰግኡ ንኽሰርሑ ሰፊሕ ናጽነት ነይሩዎም ኢዩ። እዚ ንባዕሉ ድማ ዓቢ መኽሰብ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ጉባኤ እንተ ዘይሳተፉ ነይሮም ከም ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ኮይኖም ክሰርሑ ይትረፍ ኣብ ሜዳ ናይ ምህላው ዕድል'ውን ኣይምረኸቡን ነይሮም። ምኽንያቱ ብዘይ ጥርጥር፡ ጉባኤ ኣንጻሮም ገለ ስጉምቲ ምወሰደ ነይሩ። እንተ ወሓደ ምድስካል ኣባልነቶም ኣብ ጠቕላሊ መሪሕነት። ጉባኤኛታት በቲ ኣቀዳምና ቀንዲ ካብኡ ዝጠቀስናዮ ተግባራቶም ብዙሕ ተሳቂዮም ስለዝነበሩ ንዝኾነ ይኹን ኣንጻሮም ዝውሰድ ስጉምቲ ድልዋት ኢዮም ነይሮም።

# 7. መልስ ተግባር ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት

ውሳኔታት ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ብመገዲ ደምዳሚ ኣዋጁ ምስ ተዘርግሐ ጠቕላሊ ሰክረታርያ (ኣማና ዓማ) ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት "**ርእይቶና ብዛዕባ ውጽኢት ጉባኤ ዓዋተን ጉዳይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤን**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብ26-3-1971 ኣዋጅ ኣውጺኡ።

እቲ ኣዋጅ ብላዕላዩ ነቲ ጉባኤ ዓዋተ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ኢሉ ዘቕረቦ ሓሳባት ዝርዳእን ኣወንታውን'ኳ እንተ መሰለ፡ ብሓቂ ግን ከምኡ ኣይነበረን። እኳ ድኣ ንዕኡ ዝነጽግ ግን ብብልሓት ዝቐረበ ኢዩ ነይሩ። ትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ እንታይ ነይሩ?

ትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል ኢና።

ቀዳማይ- ሓፈሻዊ ገምጋሙ ንውጽኢት ጉባኤ ዓዋተ፡ ካልኣይ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ውጽኢት ጉባኤ፡

ቀዳማይ- ሓፈሻዊ ገምጋም፡ ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ቀሪቡ

"**ቀዳማይ- ጉባኤ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ደሞክራስያዊ ርክብ እተካይድ ናይ ርክብ ኮሚተ ምቑሙ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ኣብ ልዕሊ'ቲ ንጉባኤ ናብ ደማዊ ግጭት ንኽስሕቦ ዝፍትን ዝነበረ ካልእ ሃገራዊ መስመር ከም ዝተዓወተ ዘረጋግጽ ኢዩ።**

**ካልኣይ- እቲ ናብ ሃገራዊ ውጽኢት ንምብጻሕ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝካየድ ደሞክራሲያዊ ዘተ ንኣርባዕተ ኣካላት (መራሕቲ ሓይልታት፡ ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት፡ መራሕቲ ክፍልታት ነበርን ምክትላቶምን፡ ተኸታታሊት ኮሚተ) ብቀጥታ ሓላፍነት ምስካሙን ንጠቕላሊ መሪሕነት ንበይኑ ዘይኮነ ከም ሓሙሻይ ኣካል ምውሳኹን ድማ መሰረታት ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ዘሰገደድዎ ተበግሶ ምዃኑ ድሙቕ**

ምልክት ኢዩ። ከምኡውን ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ብዝተፈላለየ ቦታታት ዝቋመ ሓድሽ ማእከልነት ከም ዝተቀልቀለ የብርህ።

ሳልሳይ- ወተሃደራዊ ጉባኤ እቲ (ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ ንዓሰርተ ሽውዓተ ኣዋርሕ ሓላፍነት መሪሕነት ሰውራ ዝተሰከመሉ እዋን ኣብ ትግባረ ዝፈጸሞ ጌጋታት እውን ብዝርዝር ተመያይጡ። ካብ ዝኾነ ይኹን ድርኺታት ናጻ ኮይኑ፡ ንምእንቲ ድሕነትን ቀጻልነትን ሰውራ ነቲ ጠንቂታት ድሕሪ ምንጻር ሰውራዊ ነቐፌታ ኣካይድሉ። ቀጺሉ ጉባኤ ናብ ጉዳይ ምቅጻል ወይ ምውራድ ጠቅላሊ መሪሕነት ኢዩ ተሰጋጊሩ።) ክብል ኣብ ኣዋጁ ዝመስከሮ ንመሪሕነት ናይ ምውራድ ዝንባለ ከም ዝነበሮ ዘነጽር ኢዩ። ይኹን'ምበር ንካልኣት ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምእታው ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ክቅጽል ምግዳፉ፡ ጉባኤ ስለምንታይ ጠቅላሊ መሪሕነት ንበይኑ መርገጺ ኣብ ላዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ክውስን ከም ዝዓገቶን፡ ስለምንታይ ከኣ ንሱ ብዝመረጾም ኣካላት ጥራይ ምስኡ ደሞክራስያዊ ዘተ ከካይድ ከምዝወሰነን የብርሃልና።"

እዚ እቲ ኣዋጅ ንጉባኤን ውጽኢቱን ዝገበሮ ንባብ ምስ ኩሉ ዕቓበታትና ጽቡቅ መንፈስ ዘለዎ ኣወንታዊ ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ሰለዚ እቲ መርገጺ ኣብ ውጽኢት ጉባኤ ዓዋተ ምስዚ መእታዊ እዚ ተሳንዩ ዶ?

ካልኣይ፡ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ውጽኢት ጉባኤ፡ እዚ ጉዳይ እዚ ብዝምልከት እቲ ኣዋጅ ከምዚ ዝስዕብ ይብል። "ሓምሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ክካየድ ንዝብል ሓሳብ ዘሎና ተማዛዝነት ፍጹም ዘይንምለሰሉ ጉዳይ ኢዩ። እንተኾነ ግን እቲ ዘሕዝን ከም ኣገባብ መገዲ ሃገራዊ ጉባኤ ናብ ሃገራዊ ዕላማታትና ክንበጽሕ ዘየኽእለና ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ተወከልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ጠቅላሊ ሰክረታርያን ኣብ ዘይብሉ ምቛማ ኢዩ። ብወገና ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋትን ንምስንዳኣን ዘሎና ድልውነት እናኣረጋገጽናን ድሌት ጉባኤኛታት ኣብ ምቛም ኣሰናዳኢት ሽማግለ እናኣኽበርናን፡ ነቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ብወገኑ ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ብመገዲ ናይ 'ሶዶሓ ዒላ' ጉባኤኡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዘቆማ ከም ሃገራዊ ጠለብ ክኸበር ንሓትት። ኣብ መንጎ'ተን ኣብ ወተሃደራዊ ጉባኤታት 'ሶዶሓ ዒላን' መዓስከር ዓዋተን ዝቆማ ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ዝግበር ምትሕግጋዝ ድማ ብዘይ ጥርጥር ዓወቱ ዝተረጋገጸ ኣብ ቅኑዕ ሃገራዊ ሰረታት ዝቀውም ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤን ኽካየድ የኽእል ኢዩ። ብወገና ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ብፍላይ ምስ ሃገራውያን ደሞክራስያውያን ባእታታት ኣብ ምርድዳእ ክንበጽሕ ንትስፎ።"

እቲ ኣዋጅ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ጉባኤ "ሶዶሓ ዒላ" ከም ዝቆመት ይሕብርን፡ በዚ መሰረት ድማ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኣብ መንጎ ክልቲኣን ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ምትሕግጋዝ ክግበርን ኢዩ ዝጠልብ።

ጉባኤ "ሶዶሓ ዒላ" ኣብ ደምዳሚ ኣዋጁ ብዛዕባ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ብዙሕ ከም ዝተዛረበ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብልክዕ እውን ሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ወሲኑ። እንተኾነ ግን ንጉባኤ እተዳሉ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ቀረባ ግዜ ክትቐውም ምኽና ድኣ ሓቢሩ እምበር ኣየቆማን። ጉባኤ ዘሕለፎ ውሳኔ ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ። "ሓሙሻይ ጉባኤኛታት ጠቅላላ ሃገራዊ ጉባኤ ክግበር ወሲኖም። እዚ ጉባኤ'ዚ ናይ ግድን ኩሎም ሰውራውያን ባእታታት ክሳተፍዎ ኣለዎም። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ከኣ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክትቐውም ኢያ።" ሰለዚ ኣብቲ ንውሳኔታት ጉባኤ መዓስከር "ዓዋተ" ክምለሱ ከለው ኣብ "ሶዶሓ ዒላ" ኣሰናዳኢት ኮሚተ ከምዝቆመት ምዝራብ ፖለቲካዊ ምድንጋር ንምፍጣር እምበር ቅኑዕነት ዝነበሮ ኣይኮነን።

ኣብ ውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ እቲ መልሲ ዘድልዮ ቀንዲ ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤን ኣሰናዳኢት ሽማግለኡ ወይ ኣሰናዳእቲ ሽማግለታቱን ዘይኮነስ፡ ምስቲ ጉባኤ ዘቆማን ኣብ ኩሉ ጉዳያት እንከላይ ሃገራዊ ጉባኤ ብዝምልከት ምስ ተፈንጨልቲ ሓይልታት እተካይዶ ዘተ ምሉእ ሓለፍነት ዝሃባን ኣካል ብዛዕባ ዝግበር ርክብ ኢዩ ነይሩ። ሽሕ'ኳ እቲ ኣዋጅ ጉባኤ ዓዋተ ንደሚክራስያዊ ዘተ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ከምዝዓደመ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እንተኣመነሉ፡ ኮነ ኢሉ መልሲ ክህብ ስለዘይደለየ፡ ነቲ ቀንዲ ጉዳይ ብምጉሳይ ጠመተ ሰባት ናብ ጨንፈራት ከም ዝዝንብል ገይሩ። እዚ ድማ ብዘይካ ንውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ምንጻግ ካልእ ትርጉም ዘወሃቦ ኣይኮነን። እቲ ዝተመረጸ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ድማ ኣወንታዊ መርገጺ ንኽመስል ጥራይ ተባሂሉ ዝተማህዞ ኢዩ።

* * *

እንተ ኣብ ውሽጢ ሜዳ፡ እታ ብኣቦ መንበርነት ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ዘቆማ ናይ ርክብ ኮሚተ ድሕሪ ጉባኤ ብቐጥታ ናብቲ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝርከባሉ ከባቢታት ስምሃር ምስ መራሕቶምን ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ንምርኻብ ከይዳ።

ሰልፊ ዕዮ ነቲ ኣብ ልዕሊ ተፈንጨልቲ ሓይልታት ዝተኸተሎን ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ዝተኸላኸለሉን ፖሊስኡ ንምዕዋት ነቶም ኣብታ ኮሚተ ንኽውክልዎ ዝመረጾም ሓሙሽተ ኣባላቱ ከምጽኦም ከም ዝኽኣለ ምጥቓስ ጠቓሚ ኢዩ። ንሳቶም ከኣ ኣቦ መንበር ናይታ ኮሚተ፡ ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር፡ ዓብደላ ስሌማን፡ ኢብራሂም ገደምን ሳልሕ ዑመር ሹምን ኢዮም።

እታ ኮሚተ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት መልእኽታ ንምብጻሕን ኣዕጋቢ መልሲ ንምርካብን ኣብቲ ከባቢ ንሓደ ወርሒ ምሉእ ጸኒሓ። እንተኮነ ግን ጻዕሪታታ ኣይተዓወተን። ንምውሳን ስልጣን ምስ ዘለዎም ወገናት ዕቱብ ርክብ ከይገበረት ድማ ደኺማ ተመልሰት።

እታ ኮሚተ ኣብቲ ኣብ (ጥቅምቲ- ሕዳር 1971) ዝተኻየደ ሃገራዊ ጉባኤ ዘቕረበቶ ጸብጻብ ኣብ ጥቓ “**ፈግረት**” ምስ ኣባል መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት “**መስፍን ሓጎስ**” ከም ዝተራኸቡን ውሳኔታት ጉባኤ መዓስከር ዓዋተን ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤን ከም ዝገለጽሉ፡ ንሱ ድማ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ “**ፈግረት**” ምስ ጸላኢ ኵናት ነካይድ ሰለዘሎና ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ክንመያየጥ ግዜ የብልናን ክብል ከም ዝመለሰሎም ሓቢሩ። ቀጺሉ እቲ ጸብጻብ ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ኣብ መጨረሽታ ምሳና ዝመያየጥ ሰብ ክሰዱልና ምኳኖም፡ ናብ “ዓድ ሹማ” ኪድና ክሳብ ምሽት ክንጽበ ሓቢሩና ይብል። ኣስዒቡ እቲ ጸብጻብ፡ ኣብ እዋን ምሽት ኣሕመድ ኣልቀይሲ ዝተባህለ ንበይኑ ከም ዝመጾም፡ “**ንስኹም ጉባኤ ትደልይዎ ዘሎኹም ቀቢላታት ኣኪብኩም መደባትኩም ከተሕልፍሉ ኢልኩም ኢኺም። ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳዩ ውሳኔ ንምሕላፍ ገና ኣይበቐዕን ኣሎ። ነዚ ጉባኤ እዚ ዝኣለመ እድሪስ ገላውዴዎስ ምኳኑ ንፈልጥ ኢና**” ክብል ዘረባኡ ከም ዝጀመረ የረድእ። እታ ኮሚተ፡ እንተ ድኣ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ድሑር ኣሎ ዝብል እምነት ኣሎና ኮይኑ፡ ኣብ ንጥፈታት ሰውራ ብምስታፍ ከነሰልጥኖን ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ክብ ከነብሎን ኣሎና። ጉባኤታት ድማ ሓደ ኣካል ናይዚ መስርሕ'ዚ ኢዩ ክትብል ከም ዝመለሰትሉ ትሕብር። ኣሕመድ ኣልቀይሲ ኣብ ርእይቶኡ ሰለዝደረቐ ግን ኣብ ዕጹው መገዲ ከም ዝበጽሑ ኣረዲኣ።

*ምስቲ ካልእ ወገን ንምርኻብ ዘካየድዎ ፈተነታት ኣመልኪቱ እቲ ጸብጻብ፡ ኣብ "ባሕሪ ባራ" ምስ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተራኺቦም ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝጸሓፈሉ መልእኽቲ ከምዘረከብዎ ይሕብር። ነታ መልእኽቲ ምስ ኣንበበ፡ ዓብላልነትኩም ንከተረጋግጹ ተሳትፎ ስዓብትኹም ብዘውሕስ ኣገባብ ጉባኤ ተዳልው ኣሎኹም ምስ በሎም፡ ሕጂ ዝብሎ ነገር ከም ዘይብሉን ርእይቶኡ ብጽሑፍ ክልእኽ ከም ዝሓበረን እቲ ጸብጻብ የረድእ።*

* * *

*መገለጺ **"ተፈንጨልቲ ሓይልታት"** ኣብ ልዕሊ'ቲ ብዛዕባኦም ዝወጸ ውሳኔታት ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ብኸመይ ንርድኦን ንትንትኖን?*

***ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡*** *ናይ ደገን ናይ ውሽጢን ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ልዕሊ'ቲ ርክብ ዝጠልብ ውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ናይ ዘይምቅባል መርገጺ ከም ዘርኣዩ ተዓዚብና። ብርእይቶና እቲ **"ርእይቶና ብዛዕባ ውጽኢት ጉባኤ ዓዋተ"** ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዘርግሐ ኣዋጅ **"ኣማና ዓማ"** ካብቲ ንሕና ዝበልናዮ ናይ ተቓውሞ መርገጺ ዝተፈልየ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ምናልባት ክትዕ ከምጽእ ዝኽእል እቲ ንመርገጺኡ ብጽሑፍ ዘይገለጸ ናይ ውሽጢ ወገን ኢዩ። እዚ ኣቕረብናዮ ዘሎና ድማ እቲ ብተ.ሓ.ኤ. ዝተመዘዘ ወገን ዝበሎ ጥራይ ኢዩ።*

*ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ልዕሊ ውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ዝወሰዶ ናይ ተቓውም ወይ ምንጻግ መርገጺ ግን ንምርድኡን ምትንታኑን ዘሸግር ኣይኮነን። ጠንቂ ምፍንጫልን ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ኩነታት ናይቲ ዝተመስረተ ሓድሽ ውድብን ብምጽናዕ ድማ መልሲ ክንረክብ ንኽእል ኢና።*

*ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነቲ ፍጹም ሓቂ'ዩ እኳ እንተ ዘይብልና ንሓቂ ኣዝዩ ዝቀረበ'ዩ ኢልና ንግምቶ ገምጋምና ነቕርብ።*

- *ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ከም ሓደ ወገን ካብ ሽነኻት ተ.ሓ.ኤ. ወይ ሓደ ካብቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዘቖሙ ወገናት መጠን፡ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ሓደ ካብኡ ምቖም መሪሕነት፡ ንፖለቲካዊ ዕላማታቱ ከምዘየገልግል ኣመኑ ዝተመስረተ ኢዩ። እዚ ወገን ህ.ሓ.ሓ. እንብሎ ዘሎና ድማ ዑስማን ሳልሕ ሳበን እቶም ኣብ ውሽጢ ከም ስዓብቱ ዝፍለጡን ኢዮም። እቲ ከም ውጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት ዝመጸ ምርጫ ምፍንጫልን ምቛም ውድብን ድማ ግዝያዊ መኽሰባት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ልዕሊ ተ.ሓ.ኤ. ወይ ጠቕላሊ መሪሕነት ጸቕጢ ጥራይ ንምግባር ብድሕሪኡ ናብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንምምላስ ኢሉ ዝመጸ ኣይነበረን። የግዳስ ነቲ ኣብ ጉባኤ ኣዶብሓ ክሳራታት ዘውረደሉ ናይ **"ውሑዳን"** ክውንነት ናብ ቅድመ ኩነቱ ከረጋግጸሉ ዝኽእል ናብ ናይ **"ብዙሓን"** ክውንነት ንምቕያር ኢሉ ዝመጸ'ዩ ነይሩ።*
- *ጉባኤ ዓዋተ ንተ.ሓ.ኤ. ዝውክል ምስ ህ.ሓ.ሓ. ናብ ዝኾነ ፍታሕ ንምብጻሕ ምሉእ ስልጣን ዝነበሮ ናይ ርክብ ኣካል ክቐውም ከሎ፡ እዚ ናይ ብዙሓን ቅድመ ኩነት ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን እቲ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት እንተ በዝሑ ቁጽሮም ልዕሊ 120 ዝሰግር ኣይኮነን። ኩሎም ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ተኣኪቦም ካብቲ ጉባኤ ዓዋተ ዝወከሎ ኣካል ዝበዝሑ*

ኣይነበሩን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ናይ ሓይሊ ሚዛን ምምዝባል እቲ ውድብ ብከመይ ኢዩ ኣብ ዘተ ዝኣቱ? እንታይ ከ ከረጋግጽ ይኽእል?

- በዞም ዝተጠቕሱ ክልተ ምኽንያታት እምበኣር መሪሕነት ናይቲ ውድብ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዕቱብ ዘተ ክኣቱ ድሌት ኣይነበሮን። እኳ ድኣ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክምልጠሉ'ዩ ዝደሊ ነይሩ። መስፍን ሓጎስ ኣባል መሪሕነት ክንሱ ኣብ ዘተ ዘይምእታውን ሓደ ካብ ካድራቶም ኣሕመድ ኣልቀይሲ ዝተባህለ ምምዛዙን ድማ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።
- ጉባኤ ዓዋተ ጠቕላሊ መሪሕነት ክሰግሮ ዘይክኣል ናይ ዘተ ውሳኔ ብምሕላፉ ነቲ ሓደሽ ውድብ ንኽዓቢ ምቹእ ፖለቲካዊ ዕድል ሂቡዎ ኢዩ። እኳ ድኣ ንስልጣን ጠቕላሊ መሪሕነት ብምቅንጣጡ ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ሓድሽ ውድብ ሓደገኛ ዝኾኖ ግብራዊ መሪሕነት ከምዘይህሉዎ ገይሩ ኢዩ። መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት እውን ድሕሪ ጉባኤ እቲ ኩነታት ውድብ ንምህናጽ ምቹእ ምኳኑ ተረዲኡዎ ኢዩ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ'ዩ ካብ ዘተ ዝሃድም ዝነበረ።

**ጉጅለ ዓላ፡** ምትእስሳር ክርስትያን ምስታ ዝስለፉላ ዝነበሩ ተ.ሓ.ኤን ኣብ ውሽጣ ምቅጻልን ከምቲ ዝገለጽናዮ ብብዙሕ ሕልኽላኻት'ዩ ሓሊፉ። ጠንቂ ድማ ገለ ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ዝፍጽም ዝነበረ ፖለቲካዊ ጌጋታት ክኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ግን ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ቀደም ይኹን ሽዑ ዝፈጠሮ ጽልዋታት ኢዩ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰ ክልተ ረቛሒታት ድማ እዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ብናይ ዕግበት ድኽመትን ኣብቲ ውድብ ናይ ምቅጻል ዓቅሊ ምጽባብን ብቀጻሊ ይሳቐ ነይሩ። እቲ ገለ ካብኡ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝጠቐስናዮ ተርእዮ ምስላም ናብ ጸላኢ ድማ ናይዚ ባህርያዊ ውጽኢት ኢዩ ነይሩ።

ስለዚ ከኣ እዚ ሓይሊ'ዚ በቲ ዝነበሮ ፍሉይ ኩነታት ካብ ተ.ሓ.ኤ ንምፍንጫልን ዝተፈልየ ኣገባብ ቃልሲ ንምውሳድን ዝያዳ ድልውነት ነይሩዎ ክብሃል ይካኣል።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ "ኣዱብሓ" ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነት እናዛየደ ዝኸደ ተቓውሞታት፡ እዚ ኣብ "ዓላ" ኣከለጉዛይ ማእከል ምንቅስቓሱ ዝገበረ ጉጅለ'ዚ ተቀልቂሉ።

እዚ ጉጅለ'ዚ ካብ ጉጅለ "ሶዶሓ ዒላ" ዝፈልዮ ቀንዲ ረቛሒ፡ እቲ ካልኣይ ካብ ግዜ ወተሃደራዊ ክፍልታት ጀሚሩ ምስ ዑስማን ሳበ ምትእስሳር ነይሩዎ። ንጉባኤ ዓማን ንምፍጣር እውን ምስኡ ሰሪሑ። ስለዚ ከኣ ቅድሚ ምፍንጫሉ ንምርጫኡ ምንጪ ሓገዝ ኣውሒስሉ ኢዩ። ኣብ ጉጅለ "ዓላ" ግን እዚ ረቛሒ'ዚ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ ክፍንጨል ከሎ ብዘይካ ዕግበቱ ዝውንኖ ነገር ኣይነበረን። በዚ ድማ እቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣብ ትስፍው ሓገዝ ዝተመርኩሰ ዘይኮነስ ሓደጋታት ዝኸበቦ ኢዩ ነይሩ።

መልሰ ተግባር ጠቕላሊ መሪሕነት ኣብ ልዕሊ "ጉጅለ ዓላ" ምስቲ "ንጉጅለ ሶዶሓ ዒላ" ዝሀቦ ዝነበረ መልሰ ተግባር ዝደረገ ኣይነበረን። ኣብ ኣዋጃቱ ከምቲ ኣንጻር "ጉጅለ ሶዶሓ ዒላ" ዝብሎ "ንጉጅለ ዓላ" ይብሎ ኣይነበረን። ልክዕ'ዩ እቲ ምኽንያት "ጉጅለ ሶዶሓ ዒላ" ዑስማን ሳበ ብድሕሪኡ ስለዝነበረ ሓደገኛነት ክስዕብ ይኽእል ኢዩ ብዝብል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ይኹን'ምበር ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ "ጉጅለ ዓላ" ገለ መረዳእታ እውን ነይሩ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ሕቶ "ጉጅለ ዓላ" ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍታሕን ውጽኢቱ ሓደገኛ ናብ ክኾነሉ ዝኽእል ምርጫ ዘይምድፍኡን ዝብል ናይ ሓባር ኣረኣእያ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. እውን ነይሩ።

ድሕሪ'ቲ "**ጉጅለ ዓላ**" ምኽንያቱ ብዘይገድስ ኣብ "**ድርፎ**" ዝወሰዶ ስጉምቲ እውን እንተኾነ መብዝሕትኦም ጉባኤኛታት ኣብ መዓስከር ዓዋተ ዕግበታቶም ስለዘይተለወጠ ነቲ ዝተራኣየ ገለ ተሪር መርግርጺታት ብዘይ ገለ ዝጥቐስ ጸገማት ክቆጻጸርዎ ክኢሎም ኢዮም።

በዚ ዝተገልጸ ድሕረ ባይታ መሰረት እምበኣር፡ እዚ ጉጅለ'ዚ ናብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ከም እንደገና ከመልሶ ናብ ዝዓለመ ዘተ ክኣቱ ዘኽእሎ ኩነታት ኣይነበረን ኢልካ ክግምገም ይከኣል ኢዩ። ምኽንያቱ ናብ ተ.ሓ.ኤ. እንደገና ምምላስ ዋላ ንረብሓኡ ዝኾነ ይኹን ሕድገታት እንተተገብረ ብዘይካ ናብ መፈንጠራ ምእታው ካልእ ፋይዳ ከምዘይህልዎ ኢዩ ዝራኣዮ ዝነበረ። ሰለዚ ድማ ምስቲ ኩሉ ኣካቢብዎ ዝነበረ ሓደጋታት እቲ ዝመረጸ ናጻ ህላወኡን ናጻ ሓይሊ ምህናጽን ወይ ምስ ከምኡ ዝመሳሰል ካልእ ሓይሊ ምምሕዛውን ጥራይ ኢዩ እንኮ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ምርጫ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ'ዩ ንውሳኔታት "**ዓዋተ**" ዘይተቐበሎ።

እቲ ኣብ 1973 ኣብ መንጎ'ዚ ጉጅለ እዝን ጉጅለ "**ሶዶሓ ዒላ**"ን ዝተረጋገጸ ሓድነት እውን እንተኾነ ድሕሪ ብዙሕ ንክልቲኦም ወገናት ዘጋጠመ ሽግራት ኢዩ መጺኡ። እዚ ድማ ብሰንኪ'ቲ ዝተጠቕሰ ድሕረ ባይታታትን ንሱ ዝፈጠሮ ጥርጣረታት ኢዩ።

* * *

እምባኣርከስ፡ ብሰንኪ እዚ ኩሉ ዝጠቀስናዮ ድሕረ ባይታ ተበግሶ ጉባኤ ዓዋተ ከዕውት ዝኽእል ተክእሎታት ጸቢቡ ኢዩ ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ውሽጢ ምስ ነብሱን ምስ ተ.ሓ.ኤን ዝያዳ እሙን ነይሩ። ምስ ናይ ርክብ ኮሚተ ካብ ምዝታይ ብህድኣት ብምውጻእ ብዘይ ናይ ዘረባ ሓሽውየ ኣብ ምህናጽ ውድቡ ኢዩ ኣተኩሩ።

ይኹን'ምበር እቲ ኩነታት ብወገን "**ኣማና ዓማ**" ናይ ወጻኢ ዝተፈልየ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ንውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ናይ መበተኒ ጉዳይ ኢዩ ኣቕሪቡ። ሓደ ካብኡ ጉዳይ ኣሰናዳኢት ሽማግለ "**ሶዶሓ ዒላ**" ናይ ሓባር ምስንዳእን ዝብል ነይሩ፡ ነቲ ጉባኤ ዓዋተ ከም መሰረታዊ ጉዳይ ዘቕረቦ ሓሳብ ናይ ዲሞክራሲያዊ ዘተ ግን ኣይተዛረበን። ብልክዕ ድማ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ክሳብ'ቲ ብ17-9-1971 ኣዋጅ ዘውጽኣሉ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ዘሚሩሉ ኢዩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንውጽኢት ጉባኤ "**ዓዋተ**" ከምዝተቀበልዎን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ሃናጺ ሓሳባት ከም ዘቕረቡን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ግን ነዚ ኩሉ ጎሲያ "**ምስ ኣሰናዳኢት ሽማግለ 'ሶዶሓ ዒላ' ንምውህሃድ ብዝምልከት ኣብ ግምት ኣየእተውቶን**" ድማ ይብል እቲ ዝተጠቕሰ ኣዋጅም።

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ጉዳይ ምፍራስ ላዕለዋይ ባይቶን ጠቅላሊ መሪሕነት ነዚ ብምፍጻሙ ንውሳኔታት ኣዶብሓ ጥሒሱ እናተባህለ ኣብ ልዕሊኡ ዝወርድ ዝነበረ ክሲታትን ንብዙሓት ዘደናገረ፡ ናይ ዑስማን ምድንጋራት ሕጂ እውን ንብዙሓት ኣእሚኑ ኢዩ።

ዑስማን ሳበ ንፖለቲካ ብሚካፈልያዊ መገዲ፡ ዕላማ ንኣገባብ ይወስኖ ብዝብል ናይ ምጥቃም ኣመና ክኢላ ኢዩ። ዝኸተሎ ፖለቲካ ንግዚኡ ነቲ ዝወጠኖ ዘረጋግጸሉ እንተ ድኣ ኮይኑ ኣብ ነንሓድሕዱ እንተ ተገራጨወ ብዙሕ ኣየገድሶን ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ብዝተፈላለየ መልሓስ ምዝራብን እቲ ናይ መጨረሽታ ተግባር ነቲ ቀዳማይ ዘፍርስ ተግባር እንተ ፈጸመን ስክፍታ ኣይስምዖን ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን

**እቲ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ገዚፍ ፋይናንሳዊ ዓቕሚን ዝተፈላለየ ሕትመታትን ጽሓፍትን ምስ ናይ ተጻረርቱ ፖለቲከኛታት ዓቕሚታት ድኽመት መብዛሕትኡ ግዜ'ውን ዘይነበሮም ተደሚሩ ሓቂታት ንምድፋንን ከም ዘይርአ ንምግባርን ጽብቕ ገይሩ ዝግልገለሉ ዝነበረ መሳርያ ኢዩ ነይሩ። ነዚ መሳርያ'ዚ ድማ ኣንጻር ውሳኔታት ጉባኤ "ዓዋተ"ን፡ ቅድሚኡ ድማ ኣብ ምምካት ውሳኔታት ኣዶብሓን ብልዑል ክእለት ተጠቒምሉ ኢዩ።**

# ምዕራፍ 12

# ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ድሕረ ባይታኡን ውጽኢቱን

## ድሕሪ ባይታ

## 1. ምዕባለታት ሜዳ ድሕሪ ጉባኤ ዓዋተ

ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ጉባኤ መዓስከር "ዓዋተ" ርኡይ ደረጃ ናይ ሓድነት ኣረጋጊጻ ኢያ ወጺኣ። እዚ ክረጋገጽ ዝኸኣለ ከኣ፡ ብዛዕባ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ሓባር መርገጺ ብምንባሩን ንምዕዋቱ ኣድላዪ ውሕስነታት ስለዝተገብረሉን፡ ከምኡ ድማ ሓድነት ጀብሃ ዳግም ንምምላስ ጉዳይ ምፍንጫል ብዕቱብ ክፍታሕ ኣብ ስምምዕ ስለዝተበጽሐን ኢዩ። እዚ ኩሉ ድማ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ኣወንታዊ ነጸብራቕ ነይሩዎ። ኣብ ቦታ ተስፋ ምቑራጽ ተስፋ ምሕዳር ኣብ መዓልታዊ ጉዳያት ኣብ ክንዲ ምሽቃል ናብ መጻኢ ምምዕዳው ተራእዩ።

ይኹን'ምበር ውሳኔታት ጉባኤ "ዓዋተ" ብኻልእ ሸነኽ ብወገን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ክመጽእ ንዝኽእል ናይ ኲናት ስግኣታት ስለዝኣለየን ንጠቕላሊ መሪሕነት ብምድኻም እንተ ወሓደ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ኢዱ ስለዝእእስሮን "ንተፈንጨልቲ"፡ ብፍላይ ድማ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዓቢ ኣገልግሎት ገይሩ ኢዩ።

እቶም ውሑዳት ዝኾኑ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ውሑዳት ስለዝነበሩ ቅድሚ ጉባኤ ምስ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ብናይ ዘተ ቋንቋን ብሰንኪ ፍልልያት መሪሕነት ኣብ ኲናት ሓድሕድ ክኣትው ከምዘይብሎምን ኢዩም ዝዛረቡ ነይሮም። ብሓቂ ድማ በቲ ዝህብዎ ዝነበሩ መግለጺታት ኣብ ጉባኤ "ዓዋተ" ነቲ ንዘተ ዝጽውዕ ዝነበረ ወገን ዘገልገለ ጽልዋታት ኣብ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣሕዲሮም ኢዮም።

ድሕሪ ጉባኤ ግን እቲ ኩነታት ፍጹም ተቐይሩ። ምስ ምልዋጥ ፖለቲካዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ቋንቋኦምን፡ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ዝኽተልዎ ኣገባብን ተለዊጡ። ተ.ሓ.ኤ ንናይ ቀቢላታት ጉባኤ ተዳሉ ኣላ፡ ንጉባኤ ዝጽውዕ ዘሎ እድሪስ ገለውዴዎስ ኢዩ ዝብል ክሲታት ቅድሚ ጉባኤ ዘይነበረ ሓድሽ ቋንቋ ኢዩ። ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነትን ጌጋታቱን ገበናቱን ቅሉዕ ናይ ዘመተ ቋንቋን ብኡኡ ኣቢልካ ንተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ምጽላውን ነቲ ናይ ምርድዳእን ዘተን ሓድነት ተጋደልቲን ቋንቋ ተኪኡዎ። በዚ ድማ ጉባኤ ዓዋተ ንልሳን ሓደ ወገን ቀሊፉ ንልሳን ናይቲ ካልእ ወገን ናጽነት ዝሃበ መሰለ።

ብኻልእ ወገን ድማ ክልቲኦም ክንፈታት ህ.ሓ.ሓ. (ክንፊ ዑማሮ ኣብ ስምሃርን ክንፊ ኣቡጥያራ ኣብ ከባቢታት ዛራ፡ ባርካን ሳሕልን፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ከምኡ ይጽወዑ ነይሮም) ነቶም ብዕረፍቲ ናብ ዓዶም ዝመጹ ዝነበሩ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ንምኽሳብን ሓደስቲ ንምስላፍን ኣበርቲዖም ይሰርሑ ነይሮም። ብልክዕ ድማ ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ከሰልፉ ክኢሎም። ከምኡ'ውን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሰውራ ናይ ምስላፍ ድሌት ድኹም'ኳ እንተ ነበረ ንገለ ሓደሽትስ ከሰልፉ ክኢሎም ኢዮም።

ድሕሪ ጉባኤ "ዓዋተ" ሰፊኑ ዝነበረ ናይ ሰላም ሃዋሁውን ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ብንጹር ንነብሶም ከም ኣራሚ ሓይሊ ምቕራቦምን ዝበለጸ ዕጥቂ

ምውናኖምን ካልእ ረቛሒታትን ተደሚሩ ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ናብኦም ንኽስለፉ ደሪኹ ኢዩ። መብዛሕትኦም ናብኦም ዝስለፉ ዝነበሩ ድማ ካብቲ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበሩ ከባቢ ዝመጹ ተጋደልቲ ደቂ ገጠር ኢዮም። ስለዚ ከኣ እቲ ኣሰላልፋ ከም ውጽኢት ፖለቲካዊ ንቅሓት ኣብቲ ዝኻይድ ዝነበረ ቁርቁሳት ዘይኮነስ፡ ብስንኪ ዝተፈላለየ ጽልዋታት ዝመጸ ኢዩ ክብሃል ይካኣል።

ይኹን'ምበር ድሕሪ ጉባኤ "ዓዋተ" ካብ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. እቲ ዝዓበየ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ምስላፍ ዝተራእየሉ ካብ ውሽጢ እታ ኣብ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ ዝርከባሉ ከባቢታት ትንቀሳቐስ ዝነበረት ሓይሊ 279 ዝተራእየ ናይ ሓባር ፍጻመ ኢዩ።

ገለ ሓለፍቲ ናይታ ሓይሊ ከምኒ ዓብደልርሕማን ሙሓመድ ዓሊ (መራሒ ጋንታ)፡ ሙሳ ራብዓ (መራሒ መስርዕ) መሓመድ ስዒድ ባሪህ (ሓኪም ጋንታ) ንናይ መራሒ ሓይሊ መብራህቱ ጸጋይን (ገታእ) ምክትሉ መሓመድ ኣሕመድ ኢክልን ዘይምንባር ተጠቂሞም ንገለ ተጋደልቲ ናይታ ሓይሊ ናብ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ንምጽንባር ኣዕጊቦምዎም። ብልክዕ ድማ፡ ነቲ ስርሒት መሪሖም ምስ ስዓብቶም ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ተጸንቦሮም።

ኣብ ዝርዝር ናይቲ ስርሒት ግን ፍልልያት ኣሎ።

- ብዛዕባ ብዝሒ ናይቶም ናብ ህ.ሓ. ዝተጸንበሩ ተጋደልቲ ኣመልኪቱ መሓመድ ስዒድ ባሪህ፡ ብናታቶም ምርጫ ዓጊቦም ዝኸዱ ተጋደልቲ ካብ 60 ክሳብ 70 ዝበጽሑን እዞም ድማ መብዛሕትኦም ኣባላት ናይታ ሓይሊ ምኻኖምን ይገልጽ። ሙሳ ራብዓ እውን እንተኾነ ምስኡ ብዙሕ ኣይፈላለን ኢዩ። እቲ ቁጽሪ ቁሩብ ብዝሕ ከምዝብል ይሕብር።[154] ሓላፊ ሰለያ ናይታ ሓይሊ ዝነበረ ኣሕመድ ደርማስ ግን ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተጸንበሩ ተጋደልቲ ቁጽሮም ካብ 17 ክሳብ 20 ከም ዝበጽሕ ኢዩ ዝሕብር። ነቲ ምርጫ ዝነጸግዎ ድማ 51 ምንባሮም ኢዩ ዝገልጽ።[155] ኣሕመድ ደርማስ ናይቶም ዝተረፉ ዝርዝር ጠቂሱ።
- እንተ ምኽንያት ናይቲ ምትራፍ፡ ዋላ'ኳ ንፈልጦ ናይ ብዙሓት ከፈላለ እውን ዝኽእል ርእይቶ እንተ ዘየለ፡ ሙሳ ራብዓ ግን ኣብ "ሃበሮ" ብዛዕባ እቲ ምርጫ ንምምያጥ ምስ ኣባላት ናይታ ሓይሊ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ ካብኣቶም ሓሙሽተ ከም ዝነጸጉ ይሕብር። ኩሎም ካብ ተጋደልቲ ካልኣይቲ ክፍሊ፡ ብፍላይ ከኣ ደቂ "ብሌን" ምንባሮምን፡ ካብ ደቂ ሳሕል ሓይሊ ንምህናጽ ትሰርሑ ኣሎኹም ክብሉ ከሲስሙና ክብል ሙሳ ራብዓ ይገልጽ። እቲ ምኽንያት ድማ እቶም ሰለስተ ነቲ ጉዳይ ዘንቀሳቀስና ደቂ ሳልሕ ስለዝነበርና ኢዩ ክብል ሓቢሩ።

እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነት ዓቢ መቓልሕ ገይሩ። ብዙሕ ትርጉማት ድማ ተዋሂቡዎ። እቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትርጉማትን ፖለቲካዊ ግምታትን ነቲ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ሓድሽ ቦታ ክሕዝ ዝጀመረ ተሪር መርገጺታትን ርእይቶታትን ሕጊዙ ኢዩ።

* * *

[154] ብ31-12-2006 ደራሲ ኣብ ዝገበረሎም ቃለ መጠይቕ

[155] ብ8-11-2007 ደራሲ ኣብ ዝገበረሉ ቃለ መጠይቕ

እንተ **"ጉጅለ ዓላ"** ጉባኤ ዓማን ይኹን ንላዕላዋይ ባይቶ ንምፍራስ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝወሰዶ ውሳኔታትን ኣብ ውሳኔታት **"ኣዶብሓ"** ጠቅላሊ መሪሕነት ዝፈጸሞ ግህሰትን ብዙሕ የገድስ ኣይነበረን። ዋላ ኣብቲ ዝስዓበ ጽሑፋቱ እውን እንተኾነ ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝጥቐስ ተገዳስነት ኣይሃበሉን። ሕቶኡ ብናቱ ኣረኣእያ ካብዚ ኩሉ ዝዓበየ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ናይ **"ጉጅለ ሶዶሓ ዒላ"** ምስቶም ተቀራቀብቲ ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ወገናዊ ይኹን ፖለቲካዊ ምትእስሳር ኣይነበሮን። ስለዚ ከኣ ብዘይ ዓውዓውታ ብስቕታ ሓይሉ ኣብ ምህናጽን መጻኢ ኣተሓሳስባኡን ኣረኣእያኡን ኣብ ምምዕባል ኢዩ ኣተኩሩ።

ንተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤን **"ጉጅለ ሶዶሓ ዒላን"** ማእከል ስሕበት (Gravity centre) ስለዝኾነ ድማ ምስ ኩሉ ዋሕዶም ካብ ክልቲኡ ወገን ብሓደን ክልተን ብረቶም ሒዞም ይመጽእዎም ስለዝነበሩ እዞም ኣብ ምምዕባል ሓይሎን ዕጥቁን ኣበርክቶ ነይሩዎም። ኣብዚ ምዕባለታት'ዚ እቲ ዘገርም ተርእዮ ድማ እቲ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ፡ ማለት እቶም ሰለስተ ኣብ ጉባኤ **"ሶዶሓ ዒላ"** ከም ኣባላት መሪሕነት ዝተመረጹ መስፍን ሓጎስ፡ መሓሪ ደበሳይን መዓሾ እምባየን ኣብዚ ጉጅለ'ዚ ምጽንባሮም ኢዩ።

* * *

እቶም ካብ ጉባኤ ዓዋተ ነቲ ኣንጻሮም ዝምዕብል ዝነበረ ተጻብኦ ከደስክሉን (Neutralize) ሕጋውነት ኣባልነቶም ኣብ ጠቅላሊ መሪሕነት ከሕድሱን ዝኽእሉ **"ያበላውያን"** ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት፡ ኣብቲ መጀመርታ ከም ተጻባእቲ ውሳኔታት ጉባኤ ኮይኖም ይቕርቡ ኣይነበሩን። እኳ ድኣ ንግዚኡ ንውሳኔታት ጉባኤ ከም ዝኸብሩን ንምዕዋቱ ክስርሑ ድልዋት ምዃኖም መሲሎም ኢዮም ዝረኣዩ ነይሮም። ይኹን'ምበር ብሕቡእ ውሽጣዊ ኩነታቶም የጠጥሑ ከምዝነበሩን ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ ክጥሕስዎ ምዃኖምን ንኹሉ ብሩህ ኢዩ ነይሩ።

## 2. ንጥፈታት ኣሰናዳኣኢት ሽማግለን መልሰ ተግባርን (ግንቦት - መስከረም 1971)

**ምጅማር ምስንዳእ ንጉባኤ፡** ኮሚተ ርክብ ካብ ሰምሃር ድሕሪ ምምላስን ብወገን ናይ ውሽጢን ወጻኢን ህ.ሓ.ሓ. ናይ ተቓውሞ መርገጺ ምንጻሩን ደድሕሪ'ቶም ንዘተ ዝጠልብ ውሳኔታት ጉባኤ **"ዓዋተ"** ብግልጺ ዝነጸገ **"ተፈንጨልቲ"** ምጉያይ ውጽኢት ከም ዘይብሉ ተባጺሑ። ሰለዚ ድማ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ምድላዋት ንጉባኤ ኣትያ። ኣብቲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ዘካየደቶ ቀዳማይ ኣኼባኣ ድማ ነቲ ድሕሪ **"ጉባኤ ዓዋተ"** ኣባል ሰልፊ ዕዮ ዝኾነ ሕሩይ ተላ ባይሩ ከም ኣቦ መንበራ፡ ንኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ከም ጸሐፊ መሪጻ። ነዘን ዝስዕባ ውሽጣዊ ክፍልታታ ድማ ኣቖማ፡ ፖለቲካዊ ኮሚተ፡ ስርዒታዊ ኮሚተ፡ ወተሃደራዊ ኮሚተ፡ ፋይናንሳዊ ኮሚተ ቆጸራን ጎስጓስን ኮሚተን ናይ ስንቂ ኮሚተን።

ኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ሓደ ካብቶም ኣብ ጉባኤ **"ዓዋተ"** ኣብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝተወሰኹ ሓሙሽተ ኣባላት ኢዩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ድማ ቅድም **"ያበላዊ"** ኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቶም ኣብ ጥቅምቲ 1970 ዝተኻየደ ኣኼባ ከሰላ ዝተሳተፈ እውን ኢዩ። እንተኾነ ግን ንሱን ኣቦኡን በቲ ምስ **"ያበላውያን"**

ብዘጋጠሞም ፍልልይ ቀቅድሚ ጉባኤ "ዓዋተ" ገዲፎምዎም ነይሮም። ነዚ ጉዳይ'ዚ ድማ ኣብ ዝቅጽል ጽሑፍና ብዝርዝር ክነቅርቦ ኢና።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ድሕሪ ኣኼባኣ ብመሰረት ውሳኔታት ጉባኤ "ዓዋተ" ስልጠናን ኣብ ጉባኤ ዝሳተፉ ወገናትን ባህርያት ናይቲ ጉባኤን ዘነጸረትሉ ቀዳማይ ኣዋጃ ኣውጺኣ።

- ንሰልጠና ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ኣብቲ ኣዋጅ ሰፊሩ።

"1. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ምሉእ ናጽነት ዘለዎ ናጻ ኣካል ኢያ።
2. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብመሰረት'ቲ እተዳልዎ ሕጊታት ንዝተፈላለዩ ኣካላት ሰውራ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝውክሉ ልኡኻት ናይ ምጽዋዕ ስልጣን ዘለዋ ንሳ ጥራይ ኢያ።
3. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ንሃገራዊ ጉባኤ ዝውዕል ወፈያታት ናይ ምእካብ ስልጣን ዘለዎ ንሳ ጥራይ ኢያ።
4. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብመሰረት ስራሕ ዝጠልቦ ምስ ክፍልታት ሰውራን ዝተፈላለዩ ውልቀ ሰባትን ክትራኸብን ናይ ዝሓለፈ መድረኻት ሰነዳት ተ.ሓ.ኤ. ክትውከሰን መሰል ኣለዋ።"

- ኣብ ጉባኤ ዝሳተፉ ወገናት ብዝምልከት ድማ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ።

"ላዕለዋይ ባይቶ ነበር፡ ሰውራዊ መሪሕነት ነበር፡ መራሕቲ ክፍልታትን ምክትላቶምን ነበር፡ መራሒ ተሓጋጋዚ ጋንታ ነበር፡ መራሒ ክፍሊ ታዕሊም ነበር፡ ጠቅላሊ መሪሕነት፡ ሓለፍቲ ፖለቲካዊ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ወጻኢ፡ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ኮሚተታት ጨንፈራት ኣብ ወጻኢ፡ ሽማግለታት ዓዲ፡ ሰደተኛታት፡ ጠቅላላ ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራን ኣሰናዳኢት ሽማግለን።"

- ንባህርያት ሃገራዊ ጉባኤ ብዝምልከት ድማ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ፡

"ብዛዕባ ዕማም ሃገራዊ ጉባኤ ኣፍልጦ ስለዘይጸንሓን እዚ ጉባኤ'ዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ተ.ሓ.ኤ. ዝርከብ ሓፈሻ ኤርትራ ዘካይዶ ናይ መጀመርያ ተመኩሮ ስለዝኾነን ብዛዕባ ሃገራዊ ጉባኤን መሰረታዊ ዕማሙን ኣብ ብዙሓት ጉጉይ መረዳእታ ጸኒሑ ኢዩ። ገለ፡ ኩሎም ነቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ሰውራ ብኣሉታ ዘንጸበረቐ ፖለቲካዊ ጌጋታት ዝፈጸሙ ዝፍረዱሉ ገይሮም ክወስድዎ ከለው፡ ገለ ድማ ምስ ዕማም ጉባኤ ምትእስሳር ዘይብሉ ክሲታትን ካልእን እትለዋወጡሉ መድረኽ ገይሮም ይወስድዎ ነይሮም። እንተ ኾነ ግን ሽግር ሰውራ ኤርትራ ብዕምቆት እንተ ድኣ መርሚርናን፡ ጠንቂ ናይ ሰውራ ክለሰ ሓሳባዊ መርሐ ዘይምህላውን ብድሌት ሓፋሽ ዝመጸ መሪሕነት ዘይምንባሩን ምዃኑ ይርዳኣና ኢዩ። ነዚ ጠንቂታት'ዚ ክኣሊ ብቅዓት ዘለዎ ድማ ሃገራዊ ጉባኤ ጥራይ ምዃኑ ንኣምን።"

ሓድሽ ሽግራት ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብቲ ካብ 27/5-14/6/1971 ዘካየደቶ ካልኣይ ኣኼባኣ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ንምዳላዋት ጉባኤ ብዝምልከት ዘሕለፈቶ ውሳኔታት፡ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ብፍላይ ዝምልከት እዚ ዝስዕብ ውሳኔ እውን ኣሕሊፋ።

"ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት - ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብመሰረት'ቲ ንወከልቲ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተዋህበ መጠን ውክልና ክሳተፉ ወሲና፡ ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ዝተወደበ ሓፋሽ ኣብ ወጻኢ ድማ ካብቲ ንወከልቲ ናይ ወጻኢ ጨንፈራት ዝተዋህበ መጠን 26% ክወሃብ ወሲና። በዚ ኣገዳሲ

***ውሳኔ'ዚ ድማ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንሃገራዊ ጉባኤ ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ መልክዕ ኣረጋጊጹን፡ ነቲ ንመትከል ሓደ ሰውራን ሓደ መሪሕነትን ንምርግጋጽ ዝቃለስ ሓፋሽ ሰውራ ኤርትራ ድሌትን ስምዒትን ብተግባር ኣረጋጊጹ ማለት ኢዩ።"***

*እዚ ውሳኔ'ዚ ግን ብግብራዊ መዳይ ዝኾነ ትርጉም ኣይነበሮን። ብዛዕባ ኩሉ ጉዳያት፡ ሓደ ካባኡ ጉባኤ፡ ንምምይያዊ ርክብን ዘተን ዝነጸገ ወገን ነቲ ዕደመ ክቅበል ትጽቢት ብምግባር፡ መጠን ውክልና ኣብ ጉባኤ ምውሳን ዳርጋ ናይ ንኣሽቱ ጸወታ ዝመሰል ኢዩ።*

*ኣሰናዳኢት ሽማግለ ነዚ ውሳኔ'ዚ ከትሕልፍ ከላ ካብ ባዶ ተበጊሳ ኣይኮነትን። ንሳ "ብ**ኣማና ዓማ**" ዝተዘርግሐ ብኣዋጁ ዝገልጸ ንዝነበረ ዝጻረር ኢዩ ኢላ ዝገመተቶ ምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ ረኺባ ነይራ። ስለዚ ከኣ ነቲ ምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ ምስቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ብ14-6-1971 ዝወጸ ኣዋጁ ኣተሓሒዛ ዘርጊሓቶ።*

*እቲ ብ9-4-1971 ዝተጻሓፈ ዘዋሪ መልእኽቲ ኣብቲ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣደም ኣሕመድ ኣደም፡ ጣሃ ሙሓመድ ኑርን ወኪል መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ.ኤ ኣብ ሜዳ ዑመር ሙሓመድ ዓሊ ዳመርን ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ዝተዳለወ ኮይኑ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፣* ***"ዳግመ ስርርዕ ክፍልታት ተ.ሓ.ኤ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝረኸብናዮ እዚ ዝስዕብ ተወሲኑ።***

1. ***ኣብ ውሽጢ ዝመጽእ ወርሒ ግንቦት ናይ ህ.ሓ.ሓ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክካየድ። ካብ ወጻኢ ድማ ወከልቲ ተ.ሓ.ኤን ምስ ህ.ሓ.ሓ ዝሰርሓ ፖለቲካውያን ክፍልታቱን ወከልቲ ጨንፈር ሰራሕተኛታት ተ.ሓ.ኤን ማሕበራት ተማሃሮን ይሳተፉ።***[156]
2. ***ዕላማ ጉባኤ ንተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ብወድዓዊ መገዲ ኣጽኒዑ ንክፍልታት ተ.ሓ.ኤ ንምውዳብን ንምምዕባልን ዝኽእል ምቹእ ኣገባብን ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ዜናውን እስተራተጂ ምሕንጻጽ ይኸውን።"***

*ሰለዚ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፣*

- *ነቲ ዘዋሪ መልእኽቲ ምዝርጋሓ ወይ ምቅላዓ ነቲ "ኣማና ዓማ" ኣብ መንጎ ክልተ ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ምውህሃድ ክህሉ ዝጠልብ መጻዋዕታኡ ሓቅነት ከም ዘይብሉን ንምድንጋር ጥራይ ተባሂሉ ዝቐረበ ምኻኑ ንምርግጋጽ ኢዩ ነይሩ።*
- *ኣብ ጉባኤ ንኽሳተፍ መጠን ውክልና ምውሳና ድማ ኣብ ጉባኤ ክንሳተፍ ድልዋት ኮሎና ተንሲና ብምባል ኣብ መጻኢ ከቅርቦ ንዝኽእል ጥርዓናት ኣፍደገ ንምዕጻው ኢዩ ነይሩ።*

*መልሲ "**ኣማና ዓማ**" ኸ እንታይ ነይሩ?*

***"ኣማና ዓማ"*** *ደንጉዩ ብሓደ መሰከረም ቁጡዕ መልሲ ሂቡ። ካብቲ 'ኣገዳሲ ኣዋጅ ንተጋደልቲን ሓፋሽ ኤርትራን' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ኣዋጅ እምበኣር ነቲ ምስ ጉዳይና ዝተኣሳሰር ገለ ትሕዝቶኡ ከነቕርብ ኢና።*

*እቲ ኣዋጅ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ፖለቲካዊ ክፍሉ "**ኣማና ዓማን**" ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራውያን ተጋደልቱን ዝጠቓልል ብዛዕባ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ብዙሕ ሓሳባትን እማመታትን ከም ዘቕረበ ምስ ጠቐሰ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል።*

***"እቲ ዘሕዝን ግን እዚ ተበግሶ'ዚን ኣወንታዊ ሓሳባትን ተጎስዩን ኣብ ልዕሊኡ ምድንጋራት ተፈጺሙን። እዚ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይክኣል፣***

[156] ኣብዚ ተ.ሓ.ኤ. ዝብሃል ዘሎ፡ ንሶም እውን ንነፍሶም ከም ተ.ሓ.ኤ. ስለዝቆጽሩዋ ኢዩ።

**1. ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ብሓባር ንምድላው ብህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝቐረበ ፍትሓዊ ሓለብ ተኣሲዩ።**

**2. እቲ ብወተሃደራዊ ጉባኤ መዓስከር ዓዋተ ዝተወሰነን ንሓና ክንሳተፎ ምዃና ድልውነትና ዘረጋገጽናሉን ንኡስ ወተሃደራዊ ጉባኤ ንዓና ከይሓበሩ ሰሪዘምዎ። ነዚ ውሳኔ'ዚ ዝወሰደ ኣካል እታ ንነብሳ ከም ገባሪት ሓዳጊት ሰውራ ኤርትራ ገይራ ዘላ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጥራይ ኢያ ክትከውን ትኽእል።**

**3. ኣሰናዳኢት ሽማግለን እቲ ዝመረጻ መሪሕነትን ጉባኤ ብሓባር ንምስንዳእ ዘቕረብናዮ ሓሳብ ነጺጉም፣ ንገለ ምስጢራዊ ሰነዳትና ግን ንትሕዝቶኡ ድሕሪ ምትምያን ብመልክዕ ኣዋጃት ዘርጊሖምዎ። እዚ ዘሰደምም ተግባር'ዚ ድማ ገለ ናይ ሕቶ ምልክታት ከም ነልዕል ይገብረልና።"**

ኣሰዒቡ እቲ ኣዋጅ፣ **"ዝኾነ ጉባኤ ጠቕላሊ መሪሕነት ንበይኑ ዘካይዶን ኣሰናዳኢት ሽማግለኡ እተዳልዎን፣ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይኮነስ ከፋላዊ ጉባኤ ኢዩ" ምስ በለ፣ እቲ ገና ኣወንታውን ጥዑይን ፍታሕ እንብሎ እተን ካብ ጉባኤ 'ዓዋተን' ጉባኤ 'ሶዶሓ ዒላን' ዝተመርጻ ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ብሓባር ተኣኺበን ንኩሉ ኣካላት ህዝቢ ኤርትራን ኩሎም ኣብ ሜዳ ዝርከቡ ተጋደልትን ዘሳትፍ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ብህጹጽን ዕቱብን ከዳልዋ ኣለወን ንብል።"** ኢሉ።

ብዛዕባ'ተን ክልተ ኣሰናዳእቲ ኮሚተታት ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ መሊስናዮ ስለዝኾና ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ብዘይካ ክልተ ምብራህ ዘድልዮ ነጥቢታት ካልእ መልሲ ዘድሊዮ ነገራት ዘሎ ኣይመስለናን።

**ቀዳማይ-** ጉባኤ ዓዋተ ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ ንኡስ ወተሃዳራዊ ጉባኤ ክግበር ኣይወሰነን። ብዛዕባ'ዚ ኣብ ኣዋጅ ናይቲ ጉባኤ ኣይተገለጸን። ከምኡውን **"ኣማና ዓማ"** ኣብዚ ዝብሎ ዘሎ ጉባኤ ንኽሳተፍ ከምዝሳማማዕ ኣይገለጸን። ስለዚ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ምልዓል ንሓደ ፍሉጥ ዕላማ ሓድሽ ጉዳይ ምምሃዝ ጥራይ'ዩ ክበሃል ዝከኣል።

**ካልኣይ-** ኣዋጅ **"ኣማና ዓማ"** ዋላ'ኳ ኣሰናዳኢት ሽማግለን ጠቕላሊ መሪሕነትን ዘይምልክዑ ሂቦምዎ ኢሉ እንተኸሰሰ፣ ብዛዕባ'ቲ ምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ ግን ተኣሚኑ ኢዩ። እንተኾነ ግን ብዛዕባ'ቲ ሰልጣኑ ክሳብ ደረጃ ሃገራዊ ጉባኤ ዝበጽሕ ዝጸውዖ ጉባኤ ምስ ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ይኹን ብሓባር ንሃገራዊ ጉባኤ ምስንዳእ ብከመይ ይዛመድን ኮነ ኢሉ መብርሂ ኣይሃበን።

ነቲ **"ኣማና ዓማ"** ብ26-3-1971 ዘውጽኦ ኣዋጅ ድሕሪ ጉባኤ **"ዓዋተ"** ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ዘይመልእ ግዜ ከምዝወጸን ክልቲኣን ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ብሓባር ንጉባኤ ክዳልዋ ድማ ሓሳብ ከምዝቐረበን እንተኾነ ግን ድሕሪ ክልተ ሰሙን ካብዚ ዝተጠቕሰ ኣዋጅ፣ ንጉባኤ ውድብ ዝጽውዕ ምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ ከምዝተሓላለፈን ንኣንባቢ ምዝኽኻር ሕማቅ ኣይመሰለናን። ስለዚ፣ ምውህሃድ ወይ ምስናይ ዘረባን ግብሪን ድኣ ኣበይ ኣሎ?

* * *

ኣብ ሜዳ እውን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ጉባኤ ኣካይዶም። **"ጽማቕ ክትዕን ውሳኔታትን ናይቲ ካብ 30/9-7/10/1971 ዝተካየደ ካልኣይ ጉባኤ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ እቲ ጉባኤ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ መርገጺኡ ካብ መጻዋዕታ ንዘተ ዘይኾነስ፣ ብዛዕባ ሃገራዊ ጉባኤ ብንጹር ኣብሪሁ። ብዛዕባ'ዚ ዝምልከት ውሳኔታት ጉባኤ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

***"ጉባኤኛታት ነቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝጽወዖ ሃገራዊ ጉባኤ ዝብሎ ከም ዝቓወምዎ ይገልጹ። ምኽንያቱ ነቲ ጉባኤ ዝጽውዕ ዘሎ መሪሕነት ኣብ ኩሉ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ መርገጺኡ ምቅጻል ምፍንጫልን ምዕማቅ ምክፍፋልን ስለዝኾነ። ስለዚ ድማ ኣብቲ ዝጽውዕዎ ዘለው ጉባኤ ከምዘይሳተፉ የረጋግጹ።"***[157]

ጉባኤ ብዛዕባ'ተን ኣብ ሜዳ ዝነበራ ውድባትን ኣብ ልዕሊኣን ዝኸተሎ ፖሊሲን እውን ገሊጹ። ***"መርገጺና ኣብ ልዕሊ'ዘን ዘለዋ ጉጅለታት"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ ነዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡ።

***"ንሕና ብዘሎና ዓቅሚ ምስ ኩለን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘለዋ ውድባት ኣብ ክሊ ናይ ሓባር ፕሮግራም ክንተሓጋገዝን ክንወሃሃድን ዘሎና ድሌት ነረጋግጽ። ምኽንያቱ ዘሎና ግርጭታት ምስቲ ብሃጸይነት ኣሜሪካን ዓለማዊ ጽዮንነትን ዝሕገዝ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘሎና ቀዳማይ ግርጭት ካልኣዊ ስለዝኾነ።"***

እንተኾነ ግን እዚ መርገጺ'ዚ ሓፈሻዊ ፖሊሲ ኢዩ እምበር፡ ነቲ ጉባኤ ***"ዓዋተ"*** ዝጸወዖ ዘተ መልሲ ክኸውን ዝበቅዕ ኣይኮነን።

ጉባኤኛታት ንሃገራዊ ጉባኤ ዘይኮነስ ንሕቶ ርክብ ቀዳምነት ክህብዎ ምተገብኣ ነይሩ። ቀንዲ ውሳኔ ጉባኤ ***"ዓዋተ"*** ርክብ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ድማ ጉባኤ ***"ውጽኢት ናይቲ ርክብ ድማ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ቀያዲ ውሳኔ ይኸውን"*** ዝብል ውሳኔ ምሕላፉ፡ እታ ንርክብ ዝወከላ ኣካል እትበጽሖ ውጽኢት ከም ዝቅበሎ ዘረጋግጽ ኢዩ።

***ሓድሽ ሽግራት ምስ ያበላውያን፡*** ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ ንምድላው ኣብ ትቅጽለሉ ዝነበረት እዋንን ናይ ተሳተፍቲ ጉባኤ ምርጫ ድሕሪ ምዝዛምን ኣርባዕቲኦም መራሕቲ ***"ያበል"*** ብ25-9-1971 ንጉባኤ ዝኹኑኑን ኣብኡ ከም ዘይሳተፉን ዝሕብር ኣዋጅ ኣውጺኦም።

እቲ ኣዋጅ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዝተራኣየ ምፍንጫል መልሰ ተግባር መሲሉ'ዩ ተራእዩ። ደድሕሪ እቲ ምፍንጫል ገለ ካብኣቶም ማሕሙድ ዲናይ፡ ኣደም ግንድፍልን ሙሓመድ ዓሊ ኣቡርጀላን ኮይኖም ነቶም ኣርባዕተ፡ ብፍላይ ከኣ ኣደም ሳልሕ፡ ንምእሳር ዝዓለመ ዕልዋ መዲቦም ነይሮም፡ ግን ኣይተዓወቱን። እዚ ፈተነ'ዚ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ካብቲ ኣዋጅ ዝወጸሉ ብ12-9-1971 ኣብ ***"መንራይብ"*** ኢዩ ተኻይዱ።

ሽዑ ብዛዕባ'ቲ ዕልዋ ብሰፊሑ ተዛሪቦም ነይሮም። ኣብቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ዘመተ ድማ ናብ ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብምትኻር፡ ከም ተሳተፍቲ ኣብቲ ዕልዋ ገይሮም ከሲሶሞም። ኣብቲ ድሕሪ ሃገራዊ ጉባኤ ብዛዕባ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ምፍንጫሎምን እቲ ቀጺልና እንዛረበሉ ውድቦም ምቛምን ዝገልጽ ዘውጽእዎ ኣዋጅ ድማ ብዛዕባ'ቲ ፈተነ ዕልዋ ጠቂሶም። ኣብ ኣዋጆም እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ፣

***"ውዲታትን ኣግላስነትን ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት በሪሁ ኢዩ። ቀንዲ ካብቲ ዝፈጸመቶ ውዲታት ድማ ኩሎም ተገራጨውቲ ወገናት ኣብ ጉባኤ ንኸይሳተፉ ዕንቅፋታት ምፍጣር ኢዩ ነይሩ። እዚ ዕንቅፋታት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብቲ ብ12-9-1971 ዝተኻየደ ፍሹል ዕልዋን ውዲታዊ ተግባራትን ብኣድማዕነት ተሳቲፋ። በዚ ድማ ናታ ናይ ሻርነት ዘይምግባር ትርጉም ስኢኑ።"***

[157] ትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ፡ ኣብቲ ኣልኣሚን ሙሓመድ ስዒድ ዝደረሶ መጽሓፍ ሰውራ ኤርትራ፡ ምድፋእን ምንቁልቋልን (ብቋንቋ ዓረብ) ገጽ 161 ተመልከት።

ምውጻእ ናይ 25/9/1971 ኣዋጅ'ዚ ዝለዓለ ጥርዚ ምንቅስቓሳቶም ድሕሪ ጉባኤ "ዓዋተ"ን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንኸይሳተፉ ዝገበሩዎ ምድላዋትን ኢዩ ነይሩ። ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንዝተዋህባ ዕማም ንኸይተሳልጥ በቲ ዝገብሩላ ዝነበሩ ዕንቅፋታት ብዙሕ ትጠርዕ ነይራ ኢያ። ገለ ካብቲ ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ዕንቅፋታት ድማ ነቲ ክሕግዝዋ ቃል ኣትዮምሉ ዝነበሩ ገንዘብ ምንጻጎም ኢዩ።

ድሕሪ ጉባኤ ዓዋተ፡ ንምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ዝገብርዎ ዝነበሩ ተቓውሞ ሕቡእ ኣይነበረን። ብዛዕባኡ ብዙሕ ተዘሪብሉ ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን ዕብየት ናይቲ ንጉባኤ ዝግበር ዝነበረ ምስንዳኣት ከም ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ብዛዕባ ምድላዋትን ዕላማታትን ጉባኤ ንተጋደልትን ህዝብን ዝግበር ዝነበረ ኅስጓስን ናይ ምርጫታት ስራሕን ኩሉ ብዲሞክራስያውነት ናይቲ መስርሕ ዓጊቡ ምንባሩን፡ ነቲ ኣብ መደባት ናይቲ ምድላዋት ክገብርዎ ዝኽእሉ ጽልዋታት ይዕብልሎ ነይሩ። ምኽንያቱ ክብሳዕ ዘይክእል ናይ ሓባር ሓፈሻዊ መርገጺ ስለዝነበረ።

"*የበላውያን*" ኣብቲ ንኣሰናዳኢት ሽማግለን ኣገባባታን ዝገበርዎ መኽተ ኣብ ከሰላን ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ኣብ ሜዳን ኢዮም ኣተኲሮም። ብፍላይ ድማ መኽተኦም ናብታ ኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ዝመርሓ ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። እዚ ዝገበሩሉ ምኽንያት ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንዘይምስታፎም ጠንቂ ሓለፍነት ከሰክምዎ ዝኽእሉ ካልእ ወገን ኣብ ቅድሚኦም ስለዘይነበረ ኢዩ።

ይኹን'ምበር ኣብ ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ምትኳሮም ፍሉይ ዕላማታትን ድፍኢታትን እውን ነይሩዎ ኢዩ። ከምቲ ኣብ ምዕራፍ ዓሰርተ ብመጠኑ ዝዘርዘርናዮ፡ ኢብራሂምን ኣቦኡን ኣብቲ ብጥቅምቲ 1970 ዝተኻየደ ኣኼባ ከሰላን ንጠቅላሊ መሪሕነት ንምዕላዋን ኣብ ተ.ሓ.ኤ ስልጣን ንምቁጽጻርን ምስ ዑስማን ሳበ ኪዳን ምግባርን ዝተዳለወ ውጥንን መሻርኽቲ ነይሮም ኢዮም። እንተኾነ ግን እቲ ናይ ዕልዋ ውጥን ምስ ፈሸለ ኣብ መንጎ እድሪስን ወዱን ስዓብቶምን ብሓደ ወገን፡ ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት "*የበል*" ከኣ በቲ ካልእ ፍልልያት ተኸሲቱ። እቲ ዝነበረ ዝምድናታቶም ድማ ናብ ሓያል ጽልኢ ተለዊጡ ብዝሰፍሐ መልክዕ መዛረቢ ኮይኑ። ጠንቂ ናይቲ ፍልልይ እንታይ ምዃኑ ብጭቡጥ ብምልኡ ዝፍለጥ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ እቲ ቀንዲ ግን ድሕሪ ፍሽለት ዕልዋ ብዛዕባ ክወስድዎ ዝነበሮም ምርጫታት ስለዝተፈላለዩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ድሕሪ ፍሽለት ዕልዋ እድሪስን ወዱን ናብቲ ጠቅላሊ መሪሕነት ዝጸውዖ ሃገራዊ ጉባኤ ክኸዱ ኢዮም መሪጾም። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ'ዩ ጉባኤ "ዓዋተ" ንኢብራሂም እድሪስ ኣባል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንኽኸውን ዝመረጾ። እቶም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት "*የበል*" ኣብ ልዕሊ እድሪስን ወዱን ካብ ዘሕደርዎ ክቱር ጽልኢ፡ ነቲ ኣብ ፖለቲካዊ ተጻራርነት ፍሉጥ ዝኾነ ኣገባባት ሰጊሮም ኩሉ ናይ ምክፋእን ክሲታትን ዥናት ኢዮም ወርዊሮምሎም።

እቶም ኣርባዕተ መራሕቲ "*የበል*" ኣብ ልዕሊ ስም እድሪስን ወዱን ዝለዓለ ጉድኣት ንምውራድ ካብ ዝገበርዎ ጻዕርታት ኣብ ሰነ 1971 ኣብ ካርቱም ካብ ስንጣ ሓደ ተማሃራይ ኢብራሂም ናብ ኣቦኡ ዝለኣኾ መልእኽቲ ወሲዶም ብብዝሒ ኣራቢሖም ዘርጊሖምዎ።

"*የበላውያን*" ካብ ትሕዝቶ ናይታ ደብዳበ እቲ ቀንዲ ዝደልይዎ ዝነበሩ ነጥቢ ነቲ ኢብራሂም ነቦኡ ኣብ ጉባኤ ክሳተፍ ከም ዘለዎ፡ ተድላ ባይሩ እውን ኣብ ጉባኤ ክሳተፍ ከምዝኾነን ንሱን ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ጽቡቕ ምስምማዕ ከምዘለዎም ዝገልጽ ትሕዝቶ ናይታ ደብዳበ ኢዩ። እዚ ድማ ጉባኤ ኣብ ክሊ ከምዚ ዝኣመሰለ ምሕዝነታት ይካየድ ከምዘሎ ንምርኣይ ኢዩ።

ነዚ ፍጻመ'ዚ ዝገለጽናሉ ንክልተ ምኽንያታት ኢዩ። ቀዳማይ፡ "**የበላውያን**" ኣብቲ ኣብ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ኣብ ምውሳኑ ዝተሳተፉ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽይሳተፉ ምኽንያታት ኣብ ምድላይ ክሳብ ክንደይ ይግደሱ ከም ዝነበሩ ንምብራህ፡ ካልኣይ ድማ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ውድድራትን ጽልኢን ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ከምዝነበረን ክሳብ ክንደይ ብሓባር ክትነብርን ክትዛተን ኣብ ዘይተኽእለሉ ደረጃ ከም ዝማዕበለን ንምሕባር ኢዩ።

ድሕሪ'ቲ ብ25-9-1971 ዝወጸ ኣዋጅ "**የበል**" ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ናብ ጉባኤ ንምኻድ ኣብ ጽዑቅ ስራሕ እንከለው፡ እቶም ኣርባዕተ መራሕቲ "**የበል**" ኩነታቶም ዳግም ንምስራዕን ካብ ተ.ሓ.ኤ ናይ መጨረሽታ ንምንጻልን ንነፍሶም ናጻ ውድብ ንምግባርን ተበጊሶም። በዚ መዳይ'ዚ ዝወሰድዎ ስጉምቲታት ድማ ኣብ ዝቅጽል ጽሑፍና ክንርእዮ ኢና።

ድሕሪ'ቲ ጉጅለ "**የበል**" ቁርቁሱ ምስ ተ.ሓ.ኤ ብግልጺ ዝኣወጀሉ ናይ 25-9-1971 ኣዋጁን ኣብቲ ምድላዋቱ ተፈጺሙ ብዘይካ ኣባላቱ ናብ ቦታ ጉባኤ ምኻድ ዝተረፎ ነገር ዘይነበረ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ዘይሳተፉ ብዘየጠራጥር ኣገባብ ዘተረጋገጸሉን እዋን ድማ፡ "**የበላውያን**" ምስ ጸላኢ ኢትዮጵያ ምትእስሳር ከምዘለዎም ዝሕብር ክትዓት ብጋህዲ ጀመረ። ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ተጋደልቲ፡ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ. ከይዕንቀፍ ካብ ዝብል ስግኣታት ነዚ ጉዳይ'ዚ ብምስጢር ኣብ ውሽጢ ጸቢብ ክሊ ጥራይ ኢዮም ዝዛረብሉ ነይሮም። እቲ ክትዕ ኣብ ክልተ ፍጻሜታት፡ ብፍላይ ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ። ዝርዝራተን ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ቀዳማይ፡ ርክብ "**ኣብ - ሰላብ**" (ቀንዲ ስሙ ሙሓመድ ዓሊ ከራር እድሪስ) መራሒ ሓንቲ ካብ ሓይልታት ባርካ ዝኾነት ሓይሊ 906፡ ኣብ ባርካ ላዕላይ "**መንሱራ**" ምስ ጸላኢ ኢዩ ነይሩ። "**ኣብ - ሰላብ**" እቲ እንኮ መራሒ ሓይሊ ዝምድንኡ ምስ "**የበል**" ዘይበተኸ ኢዩ። እቲ ርክብ ምስ ጸላኢ ድሕሪ ጉባኤ ዓዋተ ብቀጥታ ኣብ ኣጋ ወርሒ ሚያዝያ 1971 ኢዩ ተፈጺሙ። ሓላፊ ጥዕና ናይታ ሓይሊ ዝነበረን ድሕሪ ጉባኤ ዓዋተ ናብታ ሓይሊ ክምለስ ከምዘይብሉ ኣደም ሳልሕ ዝሓበሮን ዑስማን ዓብደላ ብዛዕባ'ቲ ፍጻመ ኣመልኪቱ፣

***"ትሽዓተ ወተሃደራዊ መካይን ኢትዮጵያ ሰራዊት ሒዘን ናብ 'መንሱራ' መጺኣን። ምስኣን ሓደ መኮነን ካብ ስድራ ቤት ገብረቃል (ምናልባት እቲ ጸኒሑ ጀነራል ዝኾነ መስፍን ገብረቃል ክኸውን ይኽእል ኢዩ - ደራሲ) ነይሩ። ኣብኡ ድማ ምስ 'ኣብ - ሰላብ' ተራኺቡ። ኣብቲ ርክብ ተርጓሚ ዝነበረ (ሓደ ካብ ካድራት ጸጥታ ተ.ሓ.ኤ.) ሙሓመድ ኢብራሂም ባጌር ኢዩ"*** ክብል ገሊጹ።

እቲ ርክብ ወገን "**ኣብ - ሰላብ**" ሰውራ ኤርትራ ናብ ሓማሴን ገጹ ንኸይድይብ ክሰርሕ፡ ናይ ኢትዮጵያ ወገን ድማ ጥሪት ባርካ ናብ "**ተከዘ**" ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ካብ ዝምታን ስርቂን ክሕልወን ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ከምዝተኮረ ዑስማን ይሕብር።

እቲ ብምስጢር ክፍጸም ዝድለ ዝነበረ ስርሒት ስለዝተቃልዐን ተጋደልቲ ብዛዕባ'ቲ ርክብን ዕላማታቱን ኣብ ነንሕድሕዶም ይዛረብሉ ስለዝነበሩን ድማ ነቲ ፍጻመ ንምሽፋን ኣደም ሳልሕ ነታ ሓይሊ ናብ ከባቢታት ጉሉጅ ኣርሒቕዋ። እታ ሓይሊ ኣብ ጉሉጅ ኣስታት ሓደ ወርሒ ምስ ገበረት ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ካብቲ ሓይሊ ምርሓቅ ዑስማን ተመሊሱዋ። ብድሕሪኡ ድማ ናብቲ ናይ ቅድም ቦታኣ "**ባርካ ላዕላይ**" ተመሊሳ።

ኣብ ርክብ "**መንሱራ**" ዝተፈጸመ ዝርዝራት ምናልባት ብደቂቁ ኣይተፈልጠን ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ይኹን'ምበር እቲ ርክብ ንባዕሉ ብዙሕ ጥርጣረታትን ዘበዝሐ

ግምታትን ኣስዒቡ ኢዩ። ኣብ ምትእኽኻብ "*የበላውያን*" ንባዕሉ እውን ሰለሎ ኣኸቲሉ ኢዩ።

ካልኣይ፡ እንተ'ታ በዛ ፍጻመ እዚኣ ከም እንደገና እትዝከር ዘላ ካልኣይቲ ነጥቢ፡ ብዛዕባ ምንቅስቓስ "*የበላውያን*"ን ብወገን ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝተራኣየ፡ ፍሉይ መልሰ ተግባርን ዝምልከት ኮይኑ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ፍሉይ ትርጉም ይወሃቦ ነይሩ። እዚ ድማ ኣብ መጀመርታ ምንቅስቓስ "*የበላውያን*" ኣብ ካልኣይ ርብዒ 1970 ዝተፈጸመ ኢዩ ነይሩ።

እቶም ኣርባዕተ "*የበላውያን*" ቅድሚ ናብ ባርካ ሳዕለዋይ ምግዓዞም፡ ኣብ መጀመርታ ምንቅስቓሶም ማእከል ንጥፈታቶም ኣብታ ካብ ከተማ ኣቁርደት ብወገን ምዕራብ እትርከብ "*ተኽረሬት*" ኢያ ነይራ። ኣብ "*ተኽረሬት*" ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ ኣብ መንጎኦምን ጸላእን ብመገዲ ኣቦ መንበር ፓርላማ ኤርትራ ነበር ሓምድ ፈረጅ ብዛዕባ ዝካየድ ዝነበረ ርክባት ብዙሕ ይዝረብ ነይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ዝያዳ ዝተነጸረ ብ5-5-1970 ተጋደልቲ ብመሪሕነት ኣባል ጠቅላሊ መሪሕነት ሙሓመድ ዑስማን እዛዝን መራሒ ፋዳይን ከተማ ኣቁርደት ማሕሙድ ሓሰብን ዕውት ናይ ፋዳይን ስርሒት ኣብ ከተማ ኣቁርደት ብምኽያድ 47 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ ካብ ባንክ ኣቁርደት መንዚዖም ምስ ወጹ፡ ጸላኢ ንህዝቢ ከተማ ኣቁርደት ኣብ መኪና ላንድ-ሮቨር ዝተሰቅለ መጉልሒ ድምጺ ገይሩ፡ ኦ! ደቂ ባርካ፡ ኦ! በኒዓምር፡ ካብ ባንክ ኣቁርደት ዝተወሰደ ገንዘብ ተቐሚጡ ዝነበረ ገንዘብኩም ኢዩ፡ እቶም ዝሰረቅዎ ድማ "**ብሌንን**" "**ሳሆን**" ኢዮም፡ እዚኣቶም ድማ ንኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ዘይኮነስ ሃብትኹም ንምዝማት ዝመጹ ኢዮም፡[158] እናበለ ይገልጽ ምንባሩ ኢዩ።

እቶም ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ እዋን'ቲ ኣንጻር ሳልሕ ሓዮቲን ኣቦ መንበር ጠቅላሊ መሪሕነትን ዘመተ የካይዱ ስለዝነበሩ፡ ፕሮፓጋንዳ ኢትዮጵያ ንውሽጣዊ ግርጭታት ሰውራ ኤርትራ ንምምዝማዝ ኢዩ ተባሂሉ ይግለጽ ነይሩ።

እንተ'ቲ ድሕሪ ኣዋጅ 25-9-1971 ንጉዳይ ርክብ "*መንሱራ*"ን ኣመታቱን ዘለዓዓለን ክሳብ ናብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ፈተነ ምእሳር ኣደም ሳልሕ ዘብጽሐን ምዕባለታት፡ ነዚ ጉዳይ እዚ'ውን ከም ብሓድሽ ኣንቀሳቒሱ፡ ሰባት ድማ ብዛዕባ ዝርዝራቱ ክዛረቡ ጀሚሮም።

እዚ ብዛዕባ ክልቲኡ ፍጻሜታት ዝዝረብ ዝነበረን ዘስዓቦ መልሰ ተግባርን ካብ መሪሕነት "*የበል*" ስውር ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ነቲ ዝቐርበሎም ዝነበረ ክሲ ንምንጻግ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዝያዳ ደገፍቲ ንምኽሳብን ምሕዝነቶም ምስ ህ.ሓ.ሓ. ንምንጥጣፍን ጽዑቅ ምንቅስቓስ ኣካይዱ። እቲ ዝጠቀስናዮ ድኽመት ጠቅላሊ መሪሕነት ኣብቲ እዋን እቲ ድማ ብዘይ ሕሳብን ቁጽጽርን ድላዮም ንኽገብሩ ይሕግዞም ነይሩ።

እዚ ምዕባለታት እዚ ኣብ ልዕሊ "*የበል*" ዝያዳ ጽልኢ'ዩ ፈጢሩ። ካብዚ ንላዕሊ ድማ ነቲ ብወገን ናይ ትማሊ "*የበላውያን*" ኣብ ልዕሊኦም ዝነበረ ምድንጋጽ ከም ዝሽስርዎ ገይሩ።

ከም ውጽኢቱ ከኣ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ምኻድ ምስ ኣኸለ፡ ዳርጋ ኩሎም ወከልቲ ዓሰርቲኦን ሓይልታት ባርካ ናብ ጉባኤ ንምስታፍ ተበጊሶም።

* * *

---

[158] "ብሌንን" "ሳሆን" ክልተ ብሄራት ኤርትራ እየን

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ድሕሪ ክልተ ሰሙን ካብ ምዝርጋሕ ኣዋጅ ጉባኤ መዓስከር "**ዓዋተ**" ዝፈነወቶ ምልክታት ኣሉታውን ዘየተባባዕን ኢዩ ነይሩ። ኣዋጅ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ክልተ ሰሙን ከይመልኣ ከሎ "**ኣማና ዓማ**" ብ26-3-1971 ዘውጽኦ ቀዳማይ ኣዋጅ ነቲ ጸኒሑ መሰመር ናይቲ ውድብ ዝኾነ ኣሉታዊ ምልክት ዝሓበረ ከኣ ንሱ ኢዩ። እቲ ኣዋጅ ነቲ ቀንዲ ዝኾነ ጉዳይ ርክብን ዘተን ብምጉሳይ ስምዒታት ዝምዝምዝ ኣገባብ ተጠቒሙ ንኩሉ ጉዳይ ናብ ሃገራዊ ጉባኤን ኣሰናዳእቲ ኮሚተታትን ጠውይዎ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ እውን ናይ ሜዳ ወገን ንባዕሉ ድሕሪ ነዊሕ ስቅታ ኣብ ካልኣይ ጉባኤኡ ንናይ ርክብን ዘተን ጸውዒታት ብምጉሳይ ኣሰር "**ኣማና ዓማ**" ኢዩ ተኸቲሉ። ኣብ ክንዲ ኣብቲ ቀንዲ ጉዳይ ዝዛረብ ድማ ንጉባኤ ቅድሚ ምክያዱ ኮኒንዎን ከምዘይሳተፎን ገለጸ።

እዚ ኣፋናዊ ምልክታት'ዚ ድማ ምስ ግዜ፡ ብፍላይ ከኣ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ነቲ ንሕቡእ ሓቀኛ ባህሪ ናይቲ ቅድሚኡ ዝወጽእ ዝነበረ መግለጺታት ዝቀንጠጠ ምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ ምስ ኣቃልዐት ናብ ቅሉዕ መኸተ ኣንጻር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ማዕቢሉ። ናብ ዝለዓላ ጥርዚ ብምዕራግ ድማ ኣብ ጉባኤ ናብ ዘይምስታፍ ደረጃ በጺሑ።

ምስቲ "**ኣማና ዓማ**" "**ኣሰናዳኢት ሽማግለ መዓስከር ዓዋተ፡ ንሰውራ ኤርትራ ናብ መገዲ ሓድነት ዲያ ትመርሕ ዋላስ ናብ ምፍንጫል**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ክልቲኣን ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት እንተ ድኣ ዘይተወሃሂደን ኣብ ጉባኤ ከም ዘይሳተፉ ዝገለጸሉ ብ17-9-1971 ዘውጽኦ ናይ መጨረሽታ ኣዋጅ፡ ዳርጋ ኣብ ሓደ ግዜ ኣዋጅ "**ዖበላውያን**" እውን ምስታ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝኸተሎ መስመር ብዝሳነ ነቲ ምስኦም ዝጸነሐ ዝምድናታት ናብ ጉባኤ "**ዖበል**" ጥሪ 1971ን ቅድሚኡን ዝመለሶ ኣዋጅ ብ25-9-1971 ወጺኡ።

እዚ ኣብ ዝምድና ተ.ሓ.ኤ ምስዞም ወገናት እዚኣቶም ዝዓብለለ ኣሉታዊ ምዕባለታት ድማ፡ በቲ ኣብ ሜዳ መዓልታዊ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ዘጋጥም ዝነበረን ንዝምድናታቶም ናብ ምሕርፋፍ ዝለወጦን ፍጻሜታት ብዝኽፍአ ይጽሎ ነይሩ።

ይኹን'ምበር ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ዝረኣ ዝነበረ ማዓልታዊ ምስሕሓባት በዳሊን ተበዳሊን ኢልካ ክትዘረብን ፍርዲ ክትህብን የጸግም ይኸውን። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ፍጻመታት ዘይተሰነደ ስለዝኾነ ተኣማኒ ክኸውን ስለዘይክእልን ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ክትዕን ምስ ግዜ ዝሕደስ ናብ ተወሳኺ.ታትን ፈጠራታትን ሰለዘእቱ። በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ብርእይቶና፡ ዝኾነ ቅኑዕ ኣእምሮ እውን ክቅበሉ ዝኽእል፡ ኣባላት ጉባኤ ዓዋተ በቲ ንዘተ ዝጽውዕ ዘረጋገጽዋ ዓወት ልዑል ተስፋ ገይሮም ናብ ኣሃዱታቶም ከም ዝተመልሱ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሓባር ተስፋታት ዝነበሮ ወገን ብቀሊሉ ምኹኑይ ናብ ዘይኮነ ጽልኢ ክሰጋገር ትጽቢት ዝግበረሉ ኣይኮነን።

ስለዚ፡ ብወገን መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ዝተራእየ ንዘተ ዝነጽግ መረገጺ ኣብ መዓልታዊ ዝምድናታት ተጋደልቲ ክንጸባርቅን ኣብ ኣእምርኦም ናቱ ኣሰር ዝገደፈ ክሲ.ታት ከም ዝለዋወጡ ክገብር ከም ዝኽኣለን ክግለጽ ይከኣል።

እንተ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ እቲ ምስ ህ.ሓ ብኣሉታ ዝምዕብል ዝነበረ ዝምድናታት፡ ኣብ ውሽጢ'ቶም ኣብ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ንምእንቲ ዘተ ምስ ተሪር መርገጺ ዝነበሮም ብጾቶም ናይ ቃል ኹናት ዘካየዱን ኣብ መጨረሽታ ድማ ናይ ዘተ ውሳኔ ብምሕላፎም ዝተሓጎሱን ተጋደልቲ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ስምዒታት የማዕብል ነይሩ ኢዩ።

እንተ "ያበላውያን" ብዝምልከት፡ መሰረታዊ መቆሚታቶም ቅድሚ ጉባኤ ዓዋተ ተሃሪሙ ስለዝነበረ፡ ኣዋጅም ዘገርም ኣይነበረን። ከምኡውን ጉባኤኛታት ኣብ ውሽጢ'ቲ ክልተ ሰሙን ናይ ጉባኤ ግዜ ብቀረባ ስለዘንበብዎም ወይ ስለዝፈለጥዎም ተጋደልቲ ብዛዕባኦምን ዕላማታቶምን ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ንኽዛረቡ ኣኽኢሉዎም ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ብዛዕባ'ቲ ኣብ መጻኢ ምስኦም ዝካየድ ፖለቲካዊ ኵናትን ብኸመይ ትዕወተሉን ንተጋደልቲ ዘሸቅል ዝነበረ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ።

## ጉባኤን ውጽኢቱን

# 3. ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ጉባኤን ኣገባብ ስርሑን

- ኣብ ጉባኤ ንኩሎም ኣካላት ተ.ሓ.ኤ.፡ ተጋደልትን ሲቪልን ዝወከሉ ኣስታት 600 ኣባላት ተሳቲፎም። እቲ ውክልና ኣብ ኩሉ ቦታታት ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ተመሪሑ ብደሞክራስያዊ ምርጫ ኢዩ ተካይዱ። ኣዝዮም ውሑዳት ካብ ዜጋታት ግን "ሃገራውያን ውልቀሰባት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ስም ናይ ተዓዘብነት ኣባልነት ጉባኤ ዝተዋህቦም ነይሮም። ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ፍሉይ ግምት ኢዩ ተዋሂቡዎ። ስለዚ ከኣ ሓይሊ ብ7 ተጋደልቲ፡ ጋንታ ድማ ብ2 ተጋደልቲ ከም ዝውክላ ተገይሩ። በዚ መሰረት ድማ ዝተፈላለየ ክፍልታት ናይቲ ውድብ ከም ዝውክላ ተገይሩ።
- ጉባኤ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ጫፍ ኤርትራ ኣብ ጥቓ ዶብ ሱዳን "**ኣር**" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኢዩ ተኻይዱ። በዚ ድማ ገለ ሰባት "**ጉባኤ ኣር**" ኢሎም ይጽውዕዎ ኢዮም። ቀዳማይ መጋባእያ ጉባኤ ብ14-10-1971 ተጀሚሩ። ብ12-11-1971 ድማ ደምዳሚ ኣዋጁ ብምንባብ ተዛዚሙ። ጉባኤ ዘካየዶ ድምር መጋባእያታት 57 ነይሩ።
- ካብ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ኣብ ጉባኤ ዝተሰተፉ፡ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም (ኣቦ መንበር ባይቶ ነበር)፡ እድሪስ ዑስማን ገለውዴዎስ፡ ሰይድ ኣሕመድ ሙሓመድ ሃሽምን ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድን ነይሮም። ተድላ ባይሩ ግን ኣብ ካርቱም ምስ በጽሐ ብኩነታት ጥዕናኡ ከምጽእ ኣይከኣለን። ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ክንበበሉ ዝጠለቦ ኣስታት 20 ገጽ ዝነበሮ ነዊሕ መልእኽቲ ድማ ናብ ጉባኤ ልኢኹ። እንተኾነ ግን ሰክረታርያ ጉባኤ ምንባብ ናይቲ መልእኽቲ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዘይረኸበቶ ምኽንያት ዘይመምጽኢኡን መልእኽቲ ናብ ጉባኤ ከም ዝለኣኸን ንጉባኤኛታት ሓቢራ ጥራይ ሓሊፋቶ። መብዛሕትኦም ኣባላት ሰውራዊ መሪሕነት ነበር እውን ኣብ ጉባኤ ተሳቲፎም። ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ከኣ ብመሰረት መዘም ኣባላት ጉባኤ ኢዮም ነይሮም። ብወገን መራሕቲ ወተሃደራዊ ክፍልታት ነበር ድማ መራሒ ቀዳመይቲ ክፍሊ፡ መራሒ ሳልሰይቲ ክፍሊን መራሒ ካልኣይቲ ክፍሊን ተሰቲፎም። ዑመር እዛዝ ኣብ መስከረም 1968 ድሕሪ ምስውኡ፡ ምክትሉ ዝነበረ ሙሓመድ ዑመር ኣደም መራሒ ናይታ ክፍሊ ኮይኑ ተመዲቡ። ከም ዝፍለጥ ብመሰረት ውሳኔታት ጉባኤ "**ኣዶብሕ**" እዞም ሰለስተ መሪሕነታዊ ደረጃታት እዚኣቶም ኣብ ዝኾነ ተ.ሓ.ኤ. እተካየዶ ሃገራዊ ጉባኤ ኣባላት ክኾኑ ተወሲኑ ነይሩ ኢዩ።
- እንተ ብዛዕባ ኣገባብ ስራሕ ጉባኤ፡ ጸብጻብ ጠቅላሊ መሪሕነት ድሕሪ ምስምዑን ሰክረታርያ ጉባኤ ምምራጹን ኣርባዕተ ኮሚተታት ኢዩ ኣቑሙ። ንሳተን ከኣ፡ ፖለቲካዊ ኮሚተ፡ ስርዒታዊ ኮሚተ፡ ወተሃደራዊ ኮሚተን ወጻኢ

ዝምድናታት ኮሚተን ኢየን። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉባኤ ብናቱ ምርጫ ኣብ ዝመረጸ ኮሚተ ክኣቱ ድማ ተወሲኑ። ከምቲ ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ዝተገብረ ከኣ ሰክረተርያ ጉባኤ ንመጋባእያታት ጉባኤ ክመርሕ ንኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ከም ኣቦ መንበር፡ ንማሕሙድ ሓሰብ ድማ ከም ሓላፊ ጸጥታ ተመሪጾም።

ኣገባብ ስራሕ ናይተን ኮሚተታት ብዝምልከት ድማ፡ ነቲ ኣብ ጉባኤ ዝቐረበ ንድፊ ፕሮግራማትን ካልእ ጉዳያትን ኣብ ውሽጠን ተመያይጠን ነፍሲ ወከፍ ኮሚተ ለበዋታታ ናብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ጉባኤ ከትቅርብ ኢዩ ተወሲኑ።

እዘን ኮሚተታት እዚኣተን ክሳብ ጉባኤ ዝፍጸም፡ ከም ቀወምቲ ኮይነን ክሰርሓ ሰለዝተወሰነ፡ ኣብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ጉባኤ ዓበይቲ ጉዳያት ኣብ ዝላዓለሉ እዋን ተመያይጠን ለበወኣን ናብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ንኽቅርባ ጉባኤ ናብተን ዝምልከተን ኮሚተታት የመሓላልፎ ነይሩ።

# 4. ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ.

ጉባኤ ***"መበገሲታት ቃልሲ ኤርትራን ፕሮግራም ሰውራን"*** ብዝብል ኣርእስቲ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ሓንጺጹ። እቲ ፕሮግራም ኣብቲ ነዊሕ መእተዊኡ ድሕሪ ባይታ ቃልሲ ኤርትራ ተንቲኑ። ነቲ ናይ ኢትዮጵያ ኣበሃህላታት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪቱ ድማ፡ ግዝኣት ኤርትራ ከም ወጻኢት ምግጥጣም ረብሓታት ኣሜሪካን ኢትይዮጵያን ዝቆመት ***"ፍልይቲ ግዝኣት"*** ምኳና ይሕብር። ቀጺሉ ከኣ ኣብ ክልተ ክፋላት ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ኣቕሪቡ። ቀዳማይ ክፋል ***"ደሞክራስያዊት ተ.ሓ.ኤ. ንምህናጽ"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ ***"ሓዳስ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ኢዩ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነቲ ቀንዲ ኣብቲ ክልተ ክፋላት ዝመጸ ብምቅራብ ሓፈሻዊ ትዕዝብትታት ብምሃብን ብዛዕባ'ቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብርቱዕ ፍልልያትን ነዊሕ ክትዕን ዘለዓዓለ ጉዳይ ብምዝራብ ክንድምድም ኢና።

- ***ቀዳማይ ክፋል፡*** ኣብ መንጎ እቲ እዚ ክፍሊ እዚ ዝሓዞ ብዙሕ ነጥብታት እዚ ዝስዕብ ክንጠቕስ ንፈቱ።

***"- ሰውራ ኤርትራ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ሰውራ ኮይኑ ጸላእቱ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ዓለም ለኻዊ ሃጸይነት ብመሪሕነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ዓለም ለኻዊ ጽዮንነትን ናይ ወጻኢ ርእሰ ማላውነትን ኢዮም።***

***- ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናጽነት ሃይማኖት የረጋግጽ፡ ሙሉእ ውሕስነት ንናጽነት ኣተሓሳስባን ዘረባን ርእይቶን የቕርብ።***

***- ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሓራ ቦታታት ቁጠባውን ምምሕዳራውን ስርዓት ንምህናጽ ዝሕግዝ ሰውራዊ ሰረታት ይኸትል። ከምኡ'ውን ኣብ ሓራ ቦታታት ይኹን ገና ሓራ ኣብዘይወጻ ከባቢታት ዝሰርሓሉ ፍትሓዊ ናይ ቀረጽ ኣጋባብ የተኣታቱ።"***

ብዛዕባ ሃገራዊ ሓድነት ድማ ኣብዚ ክፍሊ እዚ፡ እዚ ዝስዕብ ተጠቂሱ፣

***"1. ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ንሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከም ማእከላይ ዕላማ ትቆጽሮ፣***

***ሀ. ኩለን ብሄራት ማዕረ ኢየን። ዝኾነ ይኹን ሓደ ብሄር ኣብ ልዕሊ ካልእ ንኽዕብልል ዝሰርሕ ወገን ከም ዘይሃገራዊ መስመር ይቑጸር።***

***ለ. ነፍሲ ወከፍ ብሄር ኤርትራ ንሓድሽ ባህሊ ሰውራ ኤርትራ ብዘማዕብል ኣገባብ ቋንቋኣ ከተማዕብል መሰል ኣለዋ።***

ሓ. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ክፍልታታ ናይቶም ንፕሮግራም ተ.ሓ.ኤን ፖለቲካዊ መስመራን ዝተቐበሉ ኤርትራውያን ኣብ መሪሕነታዊ ቦታ ሰውራ ኤርትራ ንኽሳተፉ ዘለዎም መሰል ብዘረጋግጽ ንኩለን ብሄራት ኤርትራ ትሓቑፍ።

2. ክልቲኣን ወግዓዊ ቋንቋታት ኤርትራ፡ ዓረብኛን ትግርኛን፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ተ.ሓ.ኤ. ይሰረሐለን።"

- ካልኣይ ክፋል፡ ካብቲ እዚ ክፋል'ዚ ሒዙዎ ዘሎ ሓሙሽተ ኣርእስቲታት ማለት፡ ሃገርን መንግስቲን፡ ቍጠባዊ ፖሊሲ፡ ኢንድስትሪ፡ ማሕበራውን ባህላውን ፖሊሲን ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መደበራትን ነቲ ኣገዳሲ እንብሎ ብሽምዚ ዝስዕብ ከነቕርብ ኢና።

*ቀዳማይ፡ ሃገርን መንግስቲን*

1. ሰውራዊ መንግስቲ፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ ኣቓውማ መንግስቲ ይስርዞ። ንኩሉ'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ንምምዝማዝ ዝቆመ መግዛእታዊ ትካላት የፍርሶ። ኣብ ቦታኡ ከኣ ናይ ሰብ ብሰብ ምዝመዛ ዘየፍቅድ ሓድሽ ደሞክራስያዊ ትካላት ይሃንጽ። ከምኡውን ንኩሉ ዘይደምክራስያውን መዝማዚ ዋንነትን ዝኾነ ትካላት ከፍርሶ ኢዩ።

   ……………………………………………………………………………………

   ……………………………………………………………………………………

2. ሰውራዊ ሰራዊት ምስቲ ሃገር ናይ ምዕቃብ ዕማሙ ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ጎኒ ንጎኒ ኮይኑ ኣብ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ኤርትራ ይሳተፍ።
3. ሰውራዊ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ናይ ምዝራብ፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ፡ ፕረስ፡ ማሕበራት ምቖምን፡ ሃይማኖትን እምነትካ ናይ ምግላጽን ናጽነት የውሕስ።

*ካልኣይ- ቁጣባዊ ፖሊስ፡*

1. ጺጋታት ኤርትራን ሃብቲ መሬታን ጻዕሪ ናይ ሕርሻ ሰራሕተኛታታን ብሰሪ ወጻእተኛታት ወነንቲ ዓበይቲ ሕርሻታትን ናይ ኤርትራ ሕርሻዊ ርእሰ ማላውያንን ተመዝሚዙ ኢዩ። መሬት ኤርትራን ኤርትራዊ ስራሕን ዘፍሪዮ ሃብቲ ድማ ገና ናብ ናይ ወጻኢ ባንክታት ይግዕዝ ኣሎ። እዚ ታሪኻዊ ዓመጽ'ዚ ድማ ነቲ ኣብ ኢድ ጸላእቲ ህዝቢ ዘሎ መሬት ብዘይ ካሕሳ ብምህጋር ክእረም ኢዩ።
2. ኩሉ'ቲ መሬት መንግስቲ (ዶሚናለ) ብዝብል ስም ዝፍልጥ ካብ ህዝቢ ተመንዚዑ ብየማንን ጺጋምን ናብ ናይ ወጻኢ ርእሰ ማልን ተሓጋገዝቶም ኤርትራውያንን ዝተሸጠ ናብ ህዝቢ ከም ዝምለስ ክግበር ኢዩ።

   ……………………………………………………………………………………

   ……………………………………………………………………………………

*ሳልሳይ- ኢንዳስትሪ*

**"1. ኩሉ'ቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ወጻኢ ርእሰማል ዝርከብ ባንክታትን ፋብሪካታትን ንግዳዊ ትካላትን ብዘይ ካሕሳ ክህገር ኢዩ።**

**2. ቅልጡፍ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ ንምውሓስን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ዝወርድ መዝመዛ ንምእላይን ድማ መንግስቲ ነቲ መሰረታዊ ክፍልታት ቍጣባ ባዕሉ ከመሓድሮ ኢዩ።**

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

4. ***መንግስቲ ንኩሉ ዝተመዝመዘን ዘይተመዝመዘን ማዕድናዊ ጸጋታት ይህግሮ። ንረብሓ መላእ ህዝቢ ከም ዝውዕል ብዘረጋግጽ ድማ የዋፍሮ።"***

***ራብዓይ- ማሕበራውን ባህላውን ፖሊሲ***

"1. ***መንግስቲ ንሰራሕተኛታት ማሕበራቶም ንኸቁሙ ምሉእ መሰል ይህቦም።***

2. ***መንግስቲ መሰል ሰራሕተኛ ጓል ኣንስተይቲ የውሕስን ንኩሉ ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ ኩሉ መልካዓት ታሪኻዊ ዓመጽ ይኣልን። ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት መንግስቲን ኣብ ማሕበራውን ውልቃውን ሂወትን ድማ መዓርነት ጓል ኣንስተይቲ ንምርግጋጽ ይሰርሕ።***

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

5. ***መንግስቲ ናብ መላእ ሕብረተሰብ ብማዕረ ዝባጻሕ ናጻ ትምህርቲ የረጋግጽ። ኣብ ሓድሽ ትውልዲ ኤርትራ ምምሃር ሓላፍነት መንግስቲ ኮይኑ፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር መንግስቲ ይኾና። ኣብ ብሕታዊ ትካላት ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ንመደባት ትምህርተን መንግስቲ የመሓድሮ።"***

……………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………

***ሓሙሻይ- ወተሃደራዊ መደበራት***

*መንግስቲ ናጽነት ሃገር ንምርግጋጽ፡ ሰውራ ንምዕቃብን ኣብ ሃገርናን ከባቢ ናን ሃገራትን ሰላም ንምውሓስን ንኩሉ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ወተሃደራዊ መደበራት ኣሜሪካን እስራኤልን የልግስ።*

* * *

*እዚ ፕሮግራም'ዚ ከምቲ መጽሓፍና ብዝፈቕዶ ዝጸመቕናዮ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ብዝተኻየደ ነዊሕ ቃልሲ ዝተረኸበ ፍረ እምበር፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ምህርቲ ኣይኮነን። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ውሽጣ ብዙሕ ኣሉታታት ነይሩዋ ኢዩ። ንኣብነት ገለ ካብኡ፡ ድኽመት ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ኣብ መሰረታትን መሪሕነትን ድስፕሊን ብዘይ ምንባሩ ኣብ ማዓልታዊ ነጥፈታት ናይቲ ውድብ ዘንጸባርቕ ፍንውነት ክበሃል ዝከኣል ምንጋስ፡ ናይዚ ጠንቂ ድማ ሓያልን ንቁሕን ብዕቱብን ኣድማዕነትን ዝመርሕ መሪሕነት ብዘይምንባሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ክውንነት'ዚ ብኻልእ ሸነኽ በቲ ዝፈጥሮ ዝነበረ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፡ ንለውጢ ዝደፍእን ሓያልን ደሞክራስያዊትን ተ.ሓ.ኤ. ንምህናጽ ንቁሕ ድሌታት ኣማዕቢሉ ኢዩ። እዚ ኩሉ ድማ ደረጃ ብደረጃ ማዕቢሉ ነቲ ኣብ ጉባኤ ዓዋተን ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤን ነቲ ዝደልዮ ዝነበረ ዘረጋገጸ ሰፊሕ ሓይሊ ክቅውም ክኢሉ።*

*ነቲ ሓይሊ'ቲ ቀንዲ ኣንቃሳቓሲ ዝነበረ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ዕዮ ኣይነበረን። ሰልፊ ዕዮ ኣብቲ መጀመርታ ካብቶም ንለውጢ ዝደፍኡ ዝነበሩ ሓይልታት ሓደ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ በቲ ኣብ ውሽጢ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ካድራት ውድብ ብዛዕባ ህልው ኩነታትን መጻኢ ራኢን ብዝምልከት ዝካየድ ዝነበረ*

ሰፊሕ ክትዓትን ዘተታትን ደሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባታት ክሰፍሕ ጀሚሩ ስለዝነበረ። ብዙሓት ብሳላ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ዝተታትን ብውልቃዊ ጻዕሪታቶምን ገስጋሲ ስነ-ሓሳብ ብሓፈሻ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ነቲ ሰውራ ኤርትራ ዝሓለፎ ዝነበረ ተገላባጢ ፖለቲካዊ ሰነ-ሓሳብ ከም ዝሓሸ መተካእታ ዝረኣይዎ ማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ ክኣምኑ ክኢሎም ኢዮም። ተራ ሰልፊ ዕዮን ኣባላቱን ነቲ ክውንነት፡ ከም ኣካላቱ መጠን፡ ስለዝተርድኦ ኣብ ውሽጡ ኮይኖም ናይቲ ሓይሊ ኣተሓሳስባ ብመልክዕ ጭቡጥ ናይ ስራሕ ፕሮግራም ስለዝቀረጹን፡ ኣብ መጨረሽታ ድማ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተቐበሎ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ስለዝነደፉን ኢዩ ከም ፋሉይ ክርኣ ዝካኣል።

ኣብ ኣርእስቲታት ናይቲ ፕሮግራም ክትዓት ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን፡ ምብዛሕትኡ ግዜ ካብ ኣድራሽ ጉባኤ ወጻኢ፡ ብዛዕባ ማርክስነት ናይቲ ፕሮግራምን ማሕበርነታዊ ባህሩን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝርኣ ናይ ተቓውሞ ድምጺታት ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ ድምጺታት'ዚ ንትሕዝቶ ናይቲ ፕሮግራም ዝቃወም ሓፋሽዊ ሓያል ርእይቶ ክፈጥር ዝኽእል ኣይነበረን። እንተ ኣጋጢሙ ድማ ኣብ ሓደ ጉዳይ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ድማ ድሕሪ ቁሩብ ክነቕርቦ ኢና።

ሰለዚ ኣብ ውሽጢ'ቲ ነዊሕ ቁርቁሳት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝማዕበለ ንቅሓትን ሰልፊ ዕዮ ዝተጻወቶ ኣማእዛኒ ተራን ኢዩ ነዚ ፕሮግራም'ዚ ከፍሪ ዝኽኣለ።

* * *

ኣብቲ ፕሮግራም እቲ ብዙሕ ክትዕ ዝተኻየደሉ፡ እቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ንሃገራዊ ሓድነት ብዝምልከት ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ ሓሳብ ኢዩ ነይሩ። እታ ክትዕ ዝፈጠረ ሓሳብ ኩሉን ብሄራት ኤርትራ ንሓድሽ ሰውራዊ ባህሊ ኤርትራ ብዘማዕብልን ዘተባብዕን ቋንቋታተን ከማዕብላ መሰል ኣለወን ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ምጉት ናይቶም ነዚ ሓሳብ'ዚ ዝቓወሙ ዝነበሩ ኣብ ክልተ ነጥቢታት ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ።

- ኣብ ድርቅናን ተነጽሎን ዝተመስረታ ዝተረሓሓቀ ብሄራት ብምፍጣር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምብትታን።
- ንቋንቋ ዓረብ ብናይ ውሽጢ ቋንቋታት ተኪእካ ከም ዝጠፍእ ምግባር።

ተቓወምቲ ስምዒታትን ምድንጋጻትን ዘላዓዕል ኣገባብ ስለዝተጠቐሙ ርሱን ክትዕ ተኻይዱ። ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ግዜ እውን ብዙሓት ናብ መርገጺኦም ከም ዝጥወዩ ገይሮም ኢዮም። እንተኾነ ግን እዚ ካብ ሓደ መጋባእያ ንላዕሊ ክትዕ ዝተኻየደሉ ኣርእስቲ እዚ ክጸድቕ ክኢሉ።

ተቓወምቲ፡ ነቲ ሓሳብ ካብቲ ምስኡ ዝተሓሓዝ ሓፈሻዊ ሓሳባት (Context) ፈሊዮም ኢዮም ዝካተዑ ዝነበሩ። ዋላ'ኳ ቀንዲ ስግኣቶም ሃገራዊ ሓድነት ከይብሕጎግን ብሄራዊ ምትእስሳር ኤርትራ ከይልሕልሕን እንተኾነ፡ ሓደገኛ ፖለቲካ ዘስዕብ መትከል ማሕበርነት ከይጸድቕ እውን ፍርሒ ነይሩዎም ኢዩ። እቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ምጉት ኣብ ክንዲ ኩሉ ብዝርድኦ ነቶም ሓደጋታት ዝብልዎ ዘነጽር፡ ስምዒታት ብዘለዓዕል'ዩ ዝቐርብ ነይሩ።

ብዙሓት ካብ ካድራት፡ ካብ ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ንባዕሉ፡ ብኽምቲ ዝቐረበ ብዛዕባ ምምዕባል ቋንቋታት ዓሚቁ መረዳእታ ኣይነበሮምን። እቲ ምኽንያት ከኣ ቅድሚ ጉባኤ ነቲ ፕሮግራም እኹል ክትዕ ስለዘይተኻየደሉ ኢዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ብዙሓት ንምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ ሓሳብ ክሳብ ክንደይ ሚዛናውን ቅኑዕን ምዃኑ ከብርህዎ

ክኢሎም ኢዮም። ብፍላይ ከኣ፡ ብዛዕባ'ተን ክልተ ጠንቂ ስግኣታት ዝነበራ ነጥቢታት ሰፊሕ መብርሂ ኣቕሪቦም። እቲ ምጉት ብኸምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ።

- ሃገራውያን ቋንቋታትና ናይ ህዝብና ባህልን ታሪኽን መኽዘን እየን። ምምዕባል ናይዘን ቋንቋታት እዚኣተን ድማ እቲ እተን ቋንቋታት ዝሓቑፍኦ ኣወንታዊ ሽነኻት ንሓድሽ ሰውራዊ ሃገራዊ ባህሊ ብዘማዕብል ኣገባብ ምምዝማዝ ማለት ኢዩ። ካብዚ ቋንቋታትና ዝሓቑፍኦ ውርሻ ወጻኢ ድማ ብዛዕባ ሃገራዊ ባህሊ ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ከምኡውን እቲ ሓሳብ ብዛዕባ ብሄራት ዘለወን መሰል ኢዩ ዝዛረብ። ልክዕ'ዩ ንሕና ከም መሪሕ ናይዚ ህዝቢ'ዚ መጠን ኣብ ውሽጢ ህዝብና ንኣወንታዊ ለውጢ ዘገልግል ሓሳባት ናይ ምምንጫውን ንምዕማቑን ናብ ጭቡጥ ናይ ስራሕ ፕሮግራም ንምልዋጡን ተራ ኣሎና። ብወገና ነዚ ሓሳብ'ዚ ኣብ መሳርሕ ፖለቲካዊ ስራሕና ንምብርሁ ተራና ክንጻወት ኢና። ይኹን'ምበር ኣብ መጨረሽታ እቲ ጉዳይ ነተን እቲ ውሳኔ ዝምልከተን ብሄራት ኢዩ ዝምልከት።
- ቋንቋ ዓረብ ሓደ መቆሚታት ሃገራዊ ሓድነትና ኢዩ። ንዕኡ ምእላይ ድማ ንሕድነትና ዝጎድእ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ዝከኣል እውን ኣይኮነን። ንምዃኑ ስለምንታይ ከ ስግኣት ኣብ ልዕሊ ቋንቋ ዓረብ ብፍላይ? ንህለውኡ ኸ መን'ዩ ዘውሕሶ? እቲ ሓሳብ ክልቲኡ ውግዓውያን ቋንቋታት ኣነጺሩ ኢዩ። እዚ ክንብል ከሎና ግን እተን ክልተ ወግዓውያን ቋንቋታት ንተራ ናይተን ካልኦት ሃገራውያን ቋንቋታት ኣብ ማሕበራውን ባህላውን ሂወት ይስርዛ ማለት ኣይኮነን።

# 5. ስርዒታዊ ቅርጺ ተ.ሓ.ኤ

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ብድሌ **"ውድባዊ ፕሮግራም"** ዘቕረበቶ ሓሳብ ውድባዊ ቅርጺ ተ.ሓ.ኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።

**ሰውራዊ ባይቶ፡** ዝላዓለ ሓጋጊ ኣካል ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ። ብ15 ኣባላት ዝቆመ ኮይኑ፡ ካብኣቶም 13 ካብ ውሽጢ ጉባኤ ክምረጹ ከለው፡ እቶም ዝተረፉ ክልተ ድማ ብመሰረት ውሳኔ ጉባኤ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ደቂ-ኣንስትዮን ምስ ተመስረቱ ይወስኹ። ነፍሲ ወከፍ ማሕበር ወኪሉ ኣብ ባይቶ ይመርጽ። ሰውራዊ ባይቶ ኣቦ መንበርን ምክትሉን ካልኣይ ምክትልን ይህልዎ። ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ናብ ሰለስተ ኣብያት ጽሕፈታት ይምቀሉ። ነፍሲ ወከፍ ቤት ጽሕፈት ከኣ ካብ መንጎኦም ኣቦ መንበር ይህልዎ። እተን ሰለስተ ኣብያተ ጽሕፈት ድማ፡ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት፡ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን እየን። ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ምክትል ኣቦ መንበር ኽኸውን ከሎ፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ድማ ካልኣይ ምክትል ኣቦ መንበር ይኸውን።

**ፈጻሚት ሽማግለ፡** ዝለዓለት ፈጻሚት ኣካል ናይ ተ.ሓ.ኤ. ኢያ። ብ19 ኣባላት ዝቆመት ኮይና ድማ ብዋና ጸሓፊ ትምራሕ። ብዘይካ ዋና ጸሓፊ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ይኸውን። ገለ ካብተን ኣብያተ ጽሕፈታት፡ ቤት ጽሕፈት ጥዕናዊ ጉዳይ፡ ቤት ጽሕፈት ሓፋሽ ውድባት፡ ቤት ጽሕፈት ጠቕላላ ጸጥታ፡ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ካድር፡ ቤት ጽሕፈት ዜና.... ክጥቐስ ይከኣል። ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ሓላፍቲ ናይዘን ኣብያተ ጽሕፈት ይመርጹ።

***ምምሕዳራዊ ክፍልታት፡*** ኤርትራ ኣብ ምምሕዳራዊ ክፍልታት ትምቀል። ንነፍሲ ወከፍ ምምሕዳራዊ ክፍሊ ዝመርሕ ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነር ይኸውን። ወከልቲ ገለ ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ይሕግዝዎ።
***ሓፋሽ ውድባት፡*** ጠቕላላ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ካብ 1969 ጀሚሩ ቀይሙ ስለዝነበረ፡ ጉባኤ ነቲ ማሕበር ብወግዒ ድሕሪ ምፍላጥ፡ ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ጠቕላላ ማሕበር ሓረስቶት ኤርትራን ጠቕላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራን ክምስረቱ ወሲኑ። ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሓፋሽ ውድባት ነዘን ማሕበራት ክቖውም ጉባኤ ወሲኑ።

እቲ ዘገርም፡ ኣብ ኣቓውማ ክልቲኡ መሪሕነታዊ ኣካላት፡ ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ይኹን ድሕሪ ጉባኤ ኣብ ባይታ ስርሖም ጸገማት ዝፈጠሩ ክልተ ጉዳያት ኢየን ነይረን።

- እቲ ቀዳማይ ጉዳይ ንክልቲኦም መሪሕነታውያን ኣካላት ካብ ውሽጢ ጉባኤ ብብተራ ምምራጽ ነይሩ። ቅድም  ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ብድሕሪኦም ድማ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ክምረጹ ማለት ኢዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ልሙድ፡ ጠቕላሊ ጉባኤታት ሓገግቲ ኣካላት ይመርጹ'ሞ፡ ንሳቶም ድማ ካብ ውሽጦም ክቆጻጸርዎምን ክትሓሳስብዎምን ዝኽእሉ ፈጸምቲ ኣካላት ይመርጹ። ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተገብረ ግን ዝተፈለየ ኢዩ ነይሩ። ንኣብነት ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሓለፍቲ ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚት ሽማግለ ለውጢታት ክገብር ወይ ነቲ ካብ ጉባኤ ብቐጥታ ዝተመርጸ ዋና ጸሓፊ ክቕይር ዘኽእሎ ስልጣን ኣይነበሮን። እዚ ኣገባብ'ዚ ዝፈጠሮ ሽግራት ድማ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክነቕርቦ ኢና።
- እቲ ካልኣይ ጉዳይ ድማ ኣርባዕተ ካብ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣቦ መንበር፡ ምክትል (ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት)፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታትን ከምኡውን ዋና ጸሓፊ ፈጻሚት ሽማግለን ካብ ውሽጢ ጉባኤ በብውልቂ ክምረጹ ምውሳኑ ኢዩ። ብድሕረኡ ድማ ጉባኤ ዝተረፉ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ይመርጽ። ተዓወቲ ድማ ብብዝሒ ድምጺ ይፍለዩ። ቀጺሉ ከኣ ብኸምኡ ኣገባብ ኣባላት ፋጻሚት ሽማግለ ይመርጽ። ነፍሲ ወከፍ መሪሕነታዊ ኣካል ድማ ንኣባላቱ ናብ ኣብያተ ጽሕፈቱ ይምድቦም። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዝፈጠሮ ሽግር መጋባእያታት ጉባኤ ንክልተ መዓልታት ምሉእ ደው ኢሉ። ነዚ ከኣ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ብዝያዳ ኣብሪህና ክነቕርቦ ኢና።

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጉድለት ናይቲ "**ስርዒታዊ ፕሮግራም**" ኣብ መንጎ'ቶም ክልተ መሪሕነታውያን ኣካላት ናይ ስልጣን ምትእትታው ብምህላው ንሓጋጊ ስልጣን ካብ ፈጻሚ ስልጣን ንኽትፈልዮ ኣጸጋሚ ምንባሩ ኢዩ። ንሰውራዊ ባይቶ ንባዕሉ ቀንዲ ፈጻሚ ሓላፍነታት ተዋሂብዎ። ንኣብነት ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ናይ ወጻኢ ዝምድናታትን ስራሕ ንሰውራዊ ባይቶ ተዋሂቡ። ኣብዚ መዳያት'ዚ ፖሊስታት ዝሕንጽጽን ዝትግብርን ከኣ ንሱ ኢዩ። በዚ ሸነኽ እዚ፡ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ገለ ሓላፍነታቱን ኣገባብ ስርሑን ንላዕለዋይ ባይቶ ዝመሳሰል ነይሩ፡

ጉባኤ ክሳብ ዝጅመረን ንክትዕ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ክሳብ ዝቐርብን ንድፊ ስርዒታዊ ፕሮግራም ኣይተወድኣን ነይሩ። እዚ ኩነታት ድማ እቶም ቅድሚ ኩሉ ክርእይዎን ተመያይጦም ክርድእዎን ብሰልፊ ዝቐረበ ፕሮግራም ከም ምኳኑ መጠን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ንኽከላኸልሉን ከዕምቁዎን ዝነበሮም ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ዝያዳ ናይ ስክፍታን ሻቕሎትን ስምዒት ፈጢሩሎም።

ብሓቂ ድማ፡ ብዙሓት ኣባላት ሰልፊ ዘይነበሩ ጉባኤኛታት ብኸምቲ ዝቐረበ ሓሳብ ንክልቲኡ መሪሕነታት ምምራጽ ብትሪ ብምንቃፍ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዝህልዎ ገሊጾም ኢዮም። ምስዚ ኩሉ ግን ኣባላት ሰልፊ ኣብቲ ፕሮግራም ዕግበት ዘይብሎም ክንሶም "**ሓድነት ሰልፊ**" ንምዕቃብ ተኸላኺሎምሉ። ጉባኤኛታት ንምእማን ድማ ኩሉ ዓቕሞም ኣሰሊፎም ኢዮም። ብልክዕ ድማ እቲ ጉድለቱ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንኣባላት ሰልፊ ዝሃሲ ፕሮግራም ጸዲቑ።

ውሽጣዊ ኩነታት ጉባኤ፡ ብኣጠማምታ ኣባላት ሰልፊ፡ ኣብቲ ህላወ ሰልፊ ንብዙሓት ኣባላት ጉባኤ ፉሉጥ ዝኾነሉ እዋን ውሽጣዊ ፍልልያት ዝጻወር ኣይነበረን።

## 6. መርገጺ ኣብ ልዕሊ "ተፈንጨልቲ"

ኣብዚ ነቶም ወተሃደራዊ ጉባኤ ዓዋተ "**ተፈንጨልቲ**" ክብል ዝሰመዮም ሰለስተ ምትእኽኻባት ወይ ውድባት በቲ ጉባኤ ዝሃቦም ኣስማት ክንጽውዖም ኢና።

**ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት**፡ ኣጠማምታ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣብ ጉባኤ "**ሶዶሓ ዒላ**" ደንካልያ ኣብ ሓምለ 1970 ነዚ ስም'ዚ ዝመረጸ ውድብ ብክልተ ኣገደስቲ መድረኻት ኢዩ ሓሊፉ። ቀዳማይ መድረኽ ካብ መጨረሽታ 1970 ክሳብ መጨረስታ ጉባኤ ዓዋተ መጋቢት 1971 ዘሎ ግዜ ኢዩ ነይሩ። እዚ መድረኽ'ዚ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ቀዳማይ፡ ኣብ መጨረሽታ 1970 ንኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንምቕንጻል ኣብ ጠቕላሊ መሪሕነት ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤትጽሕፈት ዘሕለፎ ውሳኔ ዝድግፉን ዝነጽጉን ብምኳን መርገጺታት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ዝተኸፋፈለሉ፡ ካልኣይ ድማ ከም መቀጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ ክልተ መርገጺታት ኣብ ጉዳይ ተፈንጨልቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ዝተራእየ ተሪር ምፍልላያት ይልለ። ኣብ መጨረሽታ ግን ከምቲ ዝርኣናዮ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ኣብ ኣዋጁ ንረብሓ ናይቶም ንዘተ ዝጽውዑ ዝነበሩ ተደምዲሙ። እቲ ካልኣይ መድረኽ ድማ ካብ ጉባኤ ዓዋተ ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝነበረ ግዜ ኢዩ። እዚ መድረኽ'ዚ እውን፡ ከምቲ ዝርኣናዮ፡ ብወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ቋንቋ ዘተ ናብ ሓድሽ ቅድሚ ጉባኤ ዓዋተ ዘይነበረ ቋንቋ፡ ናብ ቋንቋ "**ፖለቲካዊ መጥቃዕቲ**" ብዝተለወጠሉ ኢዩ ዝልለ።

ኣሃዱታት ክልቲኡ ውድባት ካብ ሰምሃር ክሳብ ሰሜናዊ ሳሕል ብሓባር ስለዝነበራን ስለዝተኣታተዋን ሓቂ ይኹን ሓሶት ካብዝን ካብትን ሓበሬታታት እናተሰጋገረ ኣብ መዓልታዊ ስርሓት ይኹን ኣብ ዝምድናታቶም ምስ ህዝቢ ፍልልያት ዘመግብን ናይ ጽልእን ምርሕሓቅን መንፈስ ዘበራትዕን ኩነታት እናማዕበለ መጸ።

እዚ፡ ብዝኾነ መለክዒ እንተለኪዕናዮ፡ ኣሉታዊ ክውንነት'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንጥሩፍን ልኡምን መርገጺታት ዝነበሮም ወገናት ኣቀራሪብዎም ኢዩ። እዚ ድማ እቲ ልኡም መርገጺ ዝነበሮ ናብ ቦታ ናይቲ ተሪር መረገጺ ወይ ጥሩፍ ዝዝበረ ወገን ስለዝመጸ ኢዩ። እቶም ትማሊ ጸዋዕቲ ዘተ ዝነበሩን ኣብ ውሳኔ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ብዙሕ ተስፋታት ዘሕደሩን ወገናት ምስ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኣብ ናይ ዘረባ ኵናት ይኣትዉ ነይሮም። ካብቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ክትዕ ድማ በጀካ ተራሓሒቕካ ምፍልላይ ካልእ ውጽኢት ኣይረኸቡን ነይሮም።

ኣብቲ እዋን'ቲ ተ.ሓ.ኤ. ንፖለቲካዊ ስራሕ ብምእኩል ዝመርሕ መሪሕነት ኣይነበራን። ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ካብ ጉባኤ "**ዓዋተ**" ሰንኪሉ

ስለዝወጸ፡ ኣንጻር "ተፈንጨልቲ" ፖለቲካዊ ስራሕ ክውድብ ይትረፍስ ዋላ ሓንቲ ክግበር ዝኽእል ኣይነበረን። ልክዕ ኢዩ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንጉባኤ ኣብ እተሰናድኣሉ ዝነበረት እዋን፡ ንተገራጫዊ ኣዋጃት "ኣማና ዓማ"ን ንናይ ርክብ ሽማግለ ዝነጸገ ናይ ሜዳ ወገን ህ.ሓን ተቃልየም ነይራ ኢያ። እንተኾነ ግን ንጥፈታታ ውሱን ኣብ ርእሲ ምንባሩ ብቀዳምነት ካልኦት ወገናት ንተበግሶ ጉባኤ ዓዋተ ምስ ነጸጉ ንኣገዳስነት ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምብራህ ዘተኮረ ነይሩ። ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ስለዘይኮነት፡ ካብ ምስንዳእ ጉባኤ ወጻኢ ኣብ ካልእ ጉዳያት ክትኣቱ ኣይትክእልን ነይራ። ንምስጢራዊ ዘዋሪ መልእኽቲ "ኣማና ዓማ" ንክትዝርግሕ ዝገደዳ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ዘይምስታፍ ኣንፈት ስለዝነበሮ ኢዩ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ወገን ብወገን ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ጽልኢ ብመምርሒ መሪሕነት ዘይኮነስ፡ ብፍንው ኢዩ ዝምዕብል ነይሩ። መርገጺ መሪሕነት ናይቲ ሓደ ወገን ኣብቲ ምዕባለታትን ንሱ ኣብኡ ዝተጻወቶ ተራን ጭብጢ ስለዝጎድል ከምዚ'ዩ ክትብል ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ ምስዚ ኩሉ ግን ተራኡ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ብዘየገድስ ካብ ተራ ጠቕላሊ መሪሕነት ዝነጠፈ ምንባሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

በቲ ኣብ ዘመን ወተሃደራዊ ክፍልታት፡ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ከምቲ ኣብ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት ዝተራእየ ንመራሕቱ ዘነቓንቕ ብርቱዕ ተቓውሞታት ብዝፈጠሮ ፍልልያት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤን ተጋደልታን ኣብ ናይ ሓባር መርገጺ ምስምማዕ ኣጸጋሚ ኢዩ ነይሩ።

ይኩን እምበር፡ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ኣብ ዝተቓራረበሉ እዋን፡ ኣንጻር ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን "የበለውያን"ን ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ዝተራእየ ሓድነት ኣብ ተመኩሮ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብዓይነቱ ፍሉይ ፍጻመ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ጉባኤ ዝመጹ ኣባላት ኣንጻር መሪሕነታት ክልቲኡ ውድባት ብርቱዕ ጽልኢ ነይሩዎም። እቲ ሽዑ ዝነበረ መርገጺታት ክንገልጾ እንተደሊና ኣብ መንጎ ትሪን ጥሩፍነትን ዝፍለጥ መርገጺታት ልኡም መርገጺ ቦታ ዘይነበሮ ኢዩ ክንብል ንክእል ኢና።

ሰልፊ ዕዮ ንባዕሉ ናብ ፍጹም ተሪር መርገጺ ተሰጋጊሩ ነይሩ። ሰልፊ ዕዮ ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ኣባሉ ዓብደላ እድሪስ ንኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ብወተሃደራዊ መገዲ ንምቅንጻል ዝገበሮ ፈተነ ንዘተ ብምጽዋዕ ዋላ'ኳ እንተ ነጸጎ፡ ክልቲኦም ወገናት ህዝባዊ ሓይልታትን "የብል"ን ዘተ ብምንጻጎም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናይ ወገናውን ቀቢላውን ፍልልያት ክውንነት ንምዕማቑ ይሰርሑ ከም ዘለው ኣሚኑ ኢዩ ነይሩ። እዚ እምነት'ዚ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰልፊ ደረጃ ብደረጃ እናማዕበለ ዝተበጸሓን እኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ተጋደልትን ዝሰፍሐ ክፍሊ ካብ ህዝብን ዝማዕበለ ጽልኢ ኣብ ምዕማቑን ኣብቲ እዋን'ቲ ንመርገጺ ናይቲ ሰልፊ ናብ ትሪ ክበጽሖን ተራ ነይሩዎ ኢዩ ክብሃል ይካኣል።

ኣብቲ እዋን እቲ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡ እቲ ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ዝለዓለ ቦታ ብምሓዝ ጸቢብን ትምክሕታውን ወገናዊ ክውንነት ንማዕማቑ ከም ዝሰርሕ ዝፍለጥ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዝመሃዞን ዝድግፎን ንዕላማታት ሰውራን ንሓድነቱን ዝጎድእ ጸቢብ ወገናዊ ምትእኽኻብ ዝኸተል ምዃኑን ምትእኽኻባት "የበላውያን"ን ኣቡጥያራን ሓቅነቱ ንዓይኒ ዘይሕባእ ቀቢላዊ ምትእኽኻባት ኮይኖም ዝኸፍአ ውጽኢት ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ኢዮም ዝብል ሓፈሻዊ ርእይቶ ሰፊኑ። ሽዑ፡ ካብ ውሽጢ'ቲ ተመኩሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ዝጠቐስናዮ ይኹን ካልእ ጎሲናዮ ዝሓለፍና፡ ብዙሕ መርትዖታት ክቐርብ ይኽኣል ኢዩ ነይሩ። ኣብ

ልዕሊ'ቶም ጉጅለታት ስሙር መርገጺ ኣብ ጉባኤ ንምርግጋጽ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ኣባላት ጉባኤ ብፍላይን ዝካየድ ዝነበረ ምይይጣት፡ ካብ ምግናን ናጻ ክኸውን ዘይክእል፡ ብዙሕ ዝርዝራት ይቐርብ ነይሩ።

እንተ ዑስማን ሳበ ብዝምልከት፡ ሰውራ ኤርትራ ዝወለዶ ሓደገኛ ተርእዮ ምዃኑን፡ ባህሩን ዕላማኡን ብዘየገድስ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ዓማን ንኸቅጽል ተማእዚዙ ዘገልግሎ እንተ ድኣ ረኺቡ ንዝኾነ ተፈንጫሊ ወገን ካብ ምሕጋዝ ድሕር ከም ዘይብል ኢዩ ተገምጊሙ።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት ድማ፡ ፖለቲካዊት ሽማግለ ንተርእዮ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ድሕሪ ብርቱዕ ክትዕ ዝጸደቐ ለበዋታት ናብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ጉባኤ ኣቕረበ። እቲ ኣስዒብና ብምልኡ እነቕርቦ ጉባኤ ዘሕለፎ ውሳኔ ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

***"መርገጺ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፣***

***ካብ 14-10-1971 ክሳብ 12-11-1971 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ሜዳ ዝተቓንዐ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ነቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዘሰዓበ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ስርዒታውን ፍጻሜታት ድሕሪ ምጽናዕን ምትንታንን እዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።***

1. ***ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ብዘይካ ሓደ ሰውራ ብመሪሕነት ሓደ ውድብ ክስከም ከም ዘይክእል ምርግጋጽ።***
2. ***ፖለቲካዊ መሪሕነት (ኣማና ዓማ ዝተሰምየ) ወተሃደራዊ መሪሕነትን ፖለቲካዊ መስመር ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ምዂናን።***
3. ***ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘሕልፎ ፕሮግራምን ውሳኔታትን እቲ ሓቀኛ መገዲ ሃገራዊ ሓድነት ስለዝኾነ፡ ናብዚ መስመር'ዚ ንኽኣትው ናብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ኣብ ትሕቲኡ ዝተወደቡ ሓፋሽን ጻውዒት ምትሕልላፍ።***
4. ***ካብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝወጽእ መሪሕነት እዞም ተጋደልቲ እዚኦቶም ናብ ጽላል ተ.ሓ.ኤ. ዝምለሰሉ እኹል ግዜ ይውስን።***
5. ***ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ተመልሱ ድማ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከም ሰውራውያን ተጋደልቲ ኣብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ይቕበሎም።***
6. ***እቲ ናብ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንኽምለሱ ዝተዋህቦም ግዜ ምስ ኣብቅዐ ድማ ካብዚ ጉባኤ'ዚ ዝወጸ መሪሕነት ሓድነት ውድብን ሰውራን ንምውሓስ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት ንምውሳድ ምሉእ ስልጣን ይህልዎ።"***

* * *

ነቲ ኣገዳሲ እንብሎ፡ ብዛዕባ እዚ ውሳኔ እዚ መብርሂታት ቅድሚ ምቕራብና ግን፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ለባዋ ፖለቲካዊ ሽማግለ ክትዕ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ዘጋጠመ ፍሉይ ምዕባለ ክንሕብር ንፈቱ። ኣብቲ ዝቐረበ ለበዋ ምምሕያሽ ንምግባር በዝን በትን ሓሳባት ንምቕራብ ርሱን ክትዕ እናተኻየደ እንከሎ፡ ሓደ ኣባል ጉባኤ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንዘለዎ መሪሕነታዊ ቦታን ልዑል ትሕዝቶን መዝሚዙ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ዕንወት ክፍጽም ስለዝጸንሐን ዘሎን ከም መቕጻዕቲ እውን ዝግብኦ ስለዝኾነ ካብ ውሽጢ'ዚ ጉባኤ ብሞት ክፍረድ ሓሳብ ኣቕረበ። ብሃንደበት ድማ ፖለቲካዊ ኣታሓሳስባ ጉባኤኛታት ተቀይሩ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ካብ ቁጥዐ ናብ ሂስተርያ ዝቐርብ ኩነታት ድማ ዳርጋ ኩሎም ጉባኤኛታት ብዝልዓለ ድምጺ ዑስማን ሳበ ብሞት ክቕጻዕን እቲ ጉዳይ

ብድምጺ ክዕጾን ጠለቡ። እዚ ጸቅጢ'ዚ ብዝፈጠሮ ተጽዕኖ ድማ ንድምጺ ቀሪቡ። ብዘይካ ድምጺ ናይ ሓደ ሰብ ከኣ ብምሉእ ድምጺ ተዓዊቱ። ብሞት ክፍረድ ድማ ውሳኔ ሓሊፉ። ንዋና ናይቲ ሓደ ድምጺ ኣደም ሙሓመድ ሳልሕ ዝተባህለ ድሌት ንምምላእ ድማ ክዛረብ ተፈቒደሉ።[159] ኣደም ንናይ ሞት ውሳኔ ብምቕዋም ዘረብኡ ጀሚሩ። ዘቕርቦ ምጉት ከኣ እቲ ጉባኤ ቤት ፍርዲ ስለዘይኮነ፡ ውልቀ ሰባት ዝተጻወቱዎ ኣዕናዊ ተራ ክሳብ ክንደይ'ዩ ብዘየገድስ ጉባኤ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ደረጃ ክወርድ ከምዘይግባእ ሓቢሩ። ኣብ መጨረሽታ ድማ ጉባኤ ንውሳኔኡ ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ ሓሳብ ኣቕሪቡ።

እቲ ርእይቶ ቅኑዕ እኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ስማዒ እዝኒ ሰለዘይረኸበ ኣኼባ ተላዒሉ።

እንተኾነ ግን መጋባእያ ፋሕ ምስ በለ ጉባኤኛታት ናብ ኣእምሮኦም ክምለሱ ስለዝጀመሩ፡ ብዛዕባ ቅኑዕነት ናይቲ ውሳኔን ክሳብ ክንደይ ምስ ተራን ዕማምን ጉባኤ ይሰነን ብውልቂን ብጉጅለን ክመያየጥሉ ጀሚሮም።

እቶም ዑስማን ሳበ ኣብ ናይ ምጽላእ ሃዋሁው ዝዓብለሎም ሚዛኖም ስሒቶም ዝነበሩ መሪሕነትን ኣባላትን ሰልፊ ዕዮን መጋባእያ ፋሕ ምስ በለ፡ ነቲ ውሳኔ ንምስራዝ ዳግመ ርእይቶ ንኽግበረሉ ተንቀሳቒሶም። ገለ ካብኣቶም ብመምርሒ መሪሕነት ሰልፊ ተኣኪቦም ምስ ካልኦት ኮይኖም እቲ ጉዳይ ከም እንደገና ክትዕ ክካየደሉ ዝጠልብ ጽሑፍ ናብ ሰክረታርያ ጉባኤ ኣቕሪቦም።

ኣብቲ ዝቀጸለ መጋባእያ ሰክረታርያ ጉባኤ ትሕዝቶ ናይቲ ደብዳበ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ጉዳይ ተወሳኺ መጽናዕቲ ንኽግበረሉ እንደገና ናብ ፖለቲካዊ ሽማግለ ከምለስ ሓሳብ ኣቕሪባ። ፖለቲካዊት ሽማግለ ብወገና እቲ ውሳኔ ኽሰረዝን እቲ ቅድም ዘሕለፈቶ ለበዋታት ከም ዘለዎ ንኽጸድቕን ርእይቶኣ ኣቕረበት። ጉባኤ ድማ ለበዋ ናይታ ሽማግለ ኣጽዲቑዎ።

ሃገራዊ ጉባኤ፡ ውልቀ ሰባት ዝፍረድሉ ቤት ፍርዲ ከምዘይኮነ ጉባኤኛታት ዘይፈልጥዎ ኣይነበረን። ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ቀዳማይ ኣዋጃ "**ገለ ሰባት፡ ጉባኤ ዝኾነ ኣብ ኩሉ መዳያት ሰውራ ብኣሉታ ዘንጸባረቀ ፖለቲካዊ ጌጋታት ዝፈጸመ ዝፍረደሉ ቤት ፍርዲ ገይሮም ኢዮም ዝግምትዎ።**" ክትብል ገሊጻ ነይራ። ኣብቲ ምስ ተጋደልቲን ህዝብን እተካይዶ ዝነበረት ኣኼባታት ንኸምዚ ዓይነት መረዳእታ ትእርሞ ነይራ።

እቲ ውሳኔ ካብ ንዑስማን ምቕጻዕ ንክብሪ ናይቲ ጉባኤ ዝሃሲ ኢዩ ነይሩ። ጉባኤ ነቲ ውሳኔ እንተ ዘሕልፎ ነይሩ'ውን ክተግብረሉ ዝኽእል ኣገባባት ኣይነበሮን። እቲ ነቲ ውሳኔ ንምትግባር ዝምዘዝ መሪሕነት እንተ ድኣ ኣብ ካልእ ሃገር ክትግብሮ ኮይኑ ድማ ስራሕ ናይ ግብረሽበራ ክፍጽም ነይርዎ ማለት ኢዩ።

ምስዚ ኩሉ ግን እቲ ውሳኔ ፍሉይ መልእኽትን ትርጉምን ኣይሳኣነን። ኣብ ልዕሊ ዑስማንን ተግባራቱን ክሳብ ክንደይ ቁጥዐ ከምዝነበረ ዘረድእ ጥሩፍ መግለጺ ኢዩ። ንዑስማን ንምኹናን ድማ ነቲ ዝነበረ ናይ ሓባር መርገጺ የብርሀ። እዚ ናይ ሓባር መርገጺ'ዚ ድማ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ብሃንደበት ዝመጸ ኣይኮነን።

* * *

---

[159] ኣደም መሓመድ ሳልሕ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ሓልፋ ጂዲዳ ሱዳን ካብ 1967-1968 ነይሩ። ኣብ ውሽጢ'ተን ሰለስተ ጨንፈራት ሓልፋ፡ ኸሽም ኣልግርባን፡ መስናዕን ድማ ካብቶም ነተን ጨናፍር ናብ ምንቅስቓስ "ምእራም" ንምጽንባር ዝመርሑ ባእታታት ኢዩ። (ሻሙናይ ምዕራፍ ተወኸስ)

ሕጂ እምባኣር ገለ መብርሂታት ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ከነቕርብ ኢና፣

- ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ሰውራ ብመሪሕነት ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክስከም ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ኣምር፡ ካብ መጻሓፍቲ ክለሰ-ሓሳባትን ፍልስፍናታት ናይ ዕጥቃዊ ሰውራታትን ዝመንጨው ኣይኮነን። ቅኑዕ ድዩ ጌጋ ብዘየገድስ እቲ ሓሳብ እቲ ዓመት 1970ን 1971ን ሰውራ ኤርትራ ዝሕለፎ ናይ ምፍንጫላት ተመኩሮ ዝወለዶ ኢዩ።

መብዛሕትኡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ካድር ውድብ ኣብ ድሮ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝነበሮ መረዳእታ፡ በቲ ኣብ ጉዳይ ምፍንጫላት ብንጹር ዝበርሀ ክልተ ተርእዮታት ዝተጸልወ ኢዩ ነይሩ።

**ቀዳማይ፥** እቶም ዝተራኣዩ ምትእኽኻባት፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡ "ያበልን" ኣቡጥያራን ብንጹር ወገናዊ ኣቓውማ ዝሓዙ ኢዮም። (እቲ ድሕረ ባይታኡ ዝገለጽናዮ ጉጅለ ዓላ ግን ከምቲ ዝጠቀስናዮ ኣብ ጉባኤ "ዓዋተ" ይኹን፡ ኣብቲ ጸኒሕና እነቕርቦ ሃገራዊ ጉባኤ ኣራኣእያ ውድብ ፍሉይ ስለዝነበረ ኣብዚ ጉጅለታት እዚ ኣይንእትዋን ኢና።) እዚ ድማ ነዞም ጉጅለታት እዚኣቶም ትም ኢልካ ምዕዛብ ንዝያዳ ወገናዊ ምክፍፋል ዝተባብዕ ኢዩ ዝብል ኣተሓሳስባታት ኣንጊሱ። ጉጅለ "ያበል" በቲ ሓደ መዳዩ ክትርእዮ ከሎኻ መልሰ- ተግባር ናይቲ ሜዳ ኤርትራ ንምቁጽጻር ከም ወገናዊ ሓይሊ ኮይኑ ዝተቀልቀለ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኢዩ ነይሩ። ንባዕሉ ኣቡጥያራ ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ንምርሓቅ ዝወሰዶ ዝነበረ ስጉምትታት ካብቲ ናይ ዕብለላ ስግኣታት ዝነቀለ ክኸውን ከሎ፡ እንደገና ናብኡ ምምላሱ ድማ ካብኡ ወጻኢ ኮይኑ ክቅጽል ዓቕሚ ስለዘይነበሮ ኢዩ ነይሩ። ሰለዚ እቲ ዝነበረ መረዳእታ እዞም ወገናውያን ሓይልታት እዚኣቶም፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምቁጽጻር ኣብ ዘካይድዎ ጻዕሪታት ካብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንተመሳሳሊ ስምዒታት ይትኽትኹ ኢዮም ዘሎዉ ዝብል ነይሩ።

**ካልኣይ፥** ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን እዞም ጉጅለታት እዚኣቶምን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣብ ዝካየድ ፖለቲካውን ስርዒታውን ንጥፈታት ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ኣብቲ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ መዓልታዊ ስራሕ ግርጭታት የጋጥምን ይምዕብልን ነይሩ። ኣብዚ እንደገና ከነረጋግጾ እንደሊ ግን፡ በቲ ዘጋጥም ዝነበረ መዓልታዊ ግርጭታት ንሓደ ክንኩንን ነቲ ካልእ ድማ ነጻ ከነውጽእ ዕላማና ከምዘይኮነ ኢዩ። እቲ ዘገድስና፡ እቲ ግርጭታት፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን "ያበል"ን ዝተኣሳሰር ብመገዲ ዘተ ክፍታሕ ወይ እውን ሓቢርካ ብሰላም ምንባር ስለዘይተኻእለ ፖለቲካዊ መርዳእታን መርገጽን ዝሓትት ተርእዮ ከም ዝነበረ ምንጻር ኢዩ።

ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ነቲ ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ሰውራ ብመሪሕነት ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጻውርን ኢዩ ዝብል ዘሕለፎ ውሳኔ ድማ ካብዚ ዝጠቀስናዮ ድሕረ ባይታ ኢዩ ዝብገስ። ሰልፊ ዕዮ ድማ ንበይኑ ዘይኾነስ ሓደ ካብቶም ነዚ ክለሰ-ሓሳብ'ዚ ዘዕመቁን ዝተኸተሉን ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ ነይሩ።

- ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ምፍርራህ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ተመኩሮ ጉባኤ ዓዋተ ድሕሪ ምፍሻሉ ምስዞም ክልተ ውድባት "ሻዕብያ"ን "ያበል"ን ኣገባብ ዘተ ምኽታል ጉባኤ ገዲፍዎ ኢዩ። ምስ ምፍሻል ተመኩሮ ዓዋተ ንዘተ ዝጽውዕ ድምጺታት ህጣሙ ኣጥፊኡ። እኳ ድኣ ናብ ተሪር መርገጺ ተሰጋጊሩ። ካብዚ ንላዕሊ ድማ ከምቲ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ገሊጽናዮ ዘሎና ድሕረ ጉባኤ ዓዋተን ንሱ ዘልዓሎ ጭርሖ ዘተን ኩነታት ናብ ዝኸፍኣ ኢዩ ከይዱ። ኣብቲ እዋን'ቲ ድማ ኩሉ፡ ክልቲኡ ውድባት ኣፍ ደገ ዘተ

ብምዕጻው ብኻልእ ኣገባባት ዝካየድ ቁርቁስ ከም ዝመረጹ ኢዩ ተራእዩዎም። ዳርጋ ኩሉ ኣባል ኣብ ውሽጢ'ቲ ጉባኤ ንካልኣይ ግዜ ናይ ዘተ ፖሊሲ ምውጻእ ንኪዳናዊ ምሕዝነት ናይዞም ወገናውያንን ቀቢላውያንን ሓይልታት ከትርር እምበር፡ ንሓድነት ሰውራ ከገልግል ወይ እውን ኣወንታዊ ውጽኢት ክርከቦ ከም ዘይክእል ኣሚኑ ኢዩ ነይሩ። መርገጺ ክልቲኡ ሓይልታት ብመገዲ ዘተ ፍልልያት ንምፍታሕ ዘይኮነስ ንተ.ሓ.ኤ. ምዕናው ኢዩ ዝብል ነይሩ እቲ መረዳእታ። ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካብ ኣዋጅ ጉባኤ "ሶዶሓ ዒላ" ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ኣብ ጥቅምቲ 1971 ዝተቓንዐ ካልኣይ ጉባኤኡ ዘውጽኦ ኣዋጅ ንሕቶ ሓድነት ዝኾነ ይኹን ተገዳስነት ኣይሃበሉን። ዋላ'ቲ "ኣማና ዓማ" ኣብ ወጻኢ ዘካይዶ ዝነበረ ምድንጋራት ኣብ ውሽጢ'ዚ ክሊ ኣእቲኻ ጥራይ ኢኻ ክትርድኦ እትኽእል። እንተ "ያበል" ብዝምልከት ምስ'ቲ ኩሉ ንሓይሊታት ባርካ ካብ ደቂ ካልኦት ከባቢታት ብምጽራይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ጀሚርካ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ዘውረዶ ጉድኣት እቲ ዝያዳ ተ.ሓ.ኤ. ምስኡ ዘተ ዘካየደት ወገን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ዝተኻየደ ጻዕሪታት ንዝያዳ ድርቅናን ዘለፋን ደፋኡዎ እምበር ውጽኢት ኣይተረኽበሉን።

እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ብዘይካ'ቲ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዘተ ንምእታው ዝወስድዎ ዝነበሩ ናይ ኣብያ መርገጺ፡ እቲ ብዝያዳ ንተጋደልቲ ጀብሃ ዓቕሎም ዘጸንቅቆም ዝነበረ፡ እቲ ጉጅለ ኣቡጥያራ ሓንሳብ ከም መንገኛ፡ እንሓንሳብ ድማ ከም መሓዛ ናይዚ ወይ ናይቲ ወገን ኮይኑ ዝርኣየሉ ኣብ መንጎኦም ንምቓሙ ዝጽዕርሉ ዝነበሩ ኪዳንን፡ እቲ ህዝባዊ ሓይልታትን "ኣማና ዓማኡን" ዝጻወቶ ዝነበረ ናይ ሓቛፊት ኣደ ተራን በቲ ካልእ ሸነኽ ኢዩ ነይሩ።

ድሩትነት ፖለቲካዊ ተመኩሮ ተጋደልትን ሕጽረት ዕድመን ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝካየድ ንዝነበረ ዘተ ኣብ ንኣሽቱ መዓልታዊ ጉዳያትን ናይ ዘረባ ጨለንትን ዝዓይነቱ ድሑር ኣገባባት ብምትኳሩ ኣብ ክንዲ ናብ ኣወንታዊ ወገን ዝደፍእ ብዝያዳ ነቲ ዝምድናታት የሓርፍፎ ነይሩ። ብሓቂ ድማ መሪሕነታት ዘይመርሕዎን ዘይሳተፍዎን ዘተታት ብዘይ ኣሉታዊ ውጽኢት ፋይዳ ዝርከቦ ኣይኮነን። ናይ ሜዳ መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ድማ፡ ነቲ ዘተ ብምቁዋሙ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ፡ ብዘይካ ናይ ሃናጺ ዘተ ምርጫ ንኩሉ ካልእ ምርጫታት ክፉት ገይሩዎ ኢዩ።

ብርእይቶ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ድማ ጉዳይ ናይዞም ክልተ ውድባት መሰረታዊ ፍታሕ ዝሓትት ኮይኑ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ነቲ ብግብራዊ መዳዩ ኣብ ክልተ ነጥቢታት ክጽሞቅ ዝከኣል ውሳኔ ምርዳእ የድሊ። ቀዳማይ፡ ንኣገባብ ዘተ ገዲፍካ፡ ብውሳኔ ጉባኤ ንኽምእዘዙ ምጽዋዕ፡ ካልኣይ ድማ እንተ ድኣ ናብ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንምምላስ ብውሳኔ ጉባኤ ዘይተማእዚዞም ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ምፍርራሕን መሪሕነት ነቲ ውሳኔ ንምብራህን በቲ ኣድላዩ ዝብሎ ኣገባባት ንምትግባርን ምውካሉ።

## መርገጺ ኣብ ልዕሊ ኣርባዕተ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ነበር፣

እዚኣቶም መራሕቲ "ያበል" ኢዮም። እቲ ብዛዕባ ተግባራት ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ብዝምልከት ዘቕረብናዮ ዝርዝራት እኩል ኢዩ። እቲ ኣብ ጉባኤ ናይ ዘይምስታፎም ሓላፍነት ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ዘሰክም ናይ ዕለት 25-9-1971 ኣዋጆም ሽዑ ዝተወልደ ሓሳብ ኣይኮነን። ተግባራት "ያበላውያን"፡ ብፍላይ ቅድምን ድሕሪን ጉባኤ "ዓዋተ" እንተ ድኣ ተዓዚብና፡ ዋላ'ኳ ንውጽኢት ጉባኤ "ዓዋተ" ከም ዝቕበሉ ኮይኖም እንተ ተራእዩ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ምስታፎም ግን ዘይሕሰብ ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ ምውሳን ዝያዳ ስልጣን ዝነበሮ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝለዓለ ተሳታፍነት ንምርግጋጽ ዝዕለማኡ መሰጋገሪን መስማምዒን ጉባኤ "ዓዋተ" ዝገበሮ ፍጹም ሽለል ስለዘይገብረሎም። ትርጉምን ዕላማን ናይቲ ንሶም እውን

*ዘይተጸበይዎ ጉባኤ “**ዓዋተ**” ዝገበረሎም ሕድገታት፡ ኣይርድኦምን ነይሩ ክንብል ኣይንክእልን ኢና።*

*ከምቲ ኣብ መንጎ ጉባኤታት “**ኣዱብሓ**”ን “**ዓዋተ**”ን ዝገብርዎ ዝነበሩ ምኽንያት ኣብ ጉባኤ ዘይምስታፎም ጠቅላሊ መሪሕነት ንውሳኔታት ጉባኤ ዓዋተ ስለዝገሃሰ ኢዩ ኢሎም ክዛረቡ ኣይክእሉን ኢዮም ነይሮም። ምኽንያቱ ጠቅላሊ መሪሕነት ድሕሪ ስልጣኑን ሓይሉን ዝመንዝዖ ጉባኤ ዓዋተ ዝነበሮ ኩነታት ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ይፈልጡ ስለዝነበሩ። እቲ ሓደ ሓላፍነት ክሰከምዎ ዝኽእሉ ዝነበሩ ኣካል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኢያ ነይራ። ከምኡ ከኣ ገይሮም።*

*ኣዋጅ* 25-9-1971 *ዝወጸሉ ዕለት ናይ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣዋጆም ክውጽኡ ከለው፡ ኵናት ኣይኣውጁ እምበር፡ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ዋላ እንተወሰዱ ኣንጻሮም ስጉምቲ ዝወስድ ኣካል ከምዘየለ ጽቡቅ ገይሮም ይፈልጡ ነይሮም ኢዮም። ነቲ ዝነበረ ኩነታት ብምምዝማዝ ድማ፡ ብቀዳምነት ናይ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ህዝብን ደገፍ ንምርካብ፡ ካልኣይ ድማ ምስቲ ድሕሪ ጉባኤ “**ዓዋተ**” ንገለ እዋን ዝዛሕተለ ዝምድኖም ምስ ህ.ሓ.ሓ ንምንጥጣፍ ተጓይዮም።*

*ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ኩነታት ናብ ባህርያዊ መኣዝኑ ንምምላስ ምስ “**ያበላውያ**”ን ዝኾነ ክሰማምዕ ዝኽእል ኣገባባት ዘይተፈተነ ኣይነበረን። ዋላ'ቲ ኣብ ሓይልታት ባርካ ደቂ ካልእ ከባቢታት ኣብ ምስጓግን ንዘይድግፍዎም መራሕቲ ኣሊካ ብዝድግፍዎም ምትካእ ዝወሰድዎ ስጉምቲታት ብዛዕባኡ ጭቡጥ መርትዖታት ክቅርብ ዝኽእል ክንሱ ኣብ ጉባኤ “**ዓዋተ**” ኣይተዘርበሉን። እኳ ድኣ ብዝያዳ ውሽጣዊ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ. ንምርግጋጽ ብዝብል ምትሕብባር ኢዮም ረኺቦም። እቲ ዘሕዝን ግን “**ያበላውያን**” ናብቲ ሜዳ ኤርትራ ንምቁጽጻር ዝብል፡ ካብኡ ንታሕቲ ከኣ ዘይቅበልሉ፡ ዕላማኦም ንምብጻሕ ከም ጽቡቅ ዕድል ኢዮም ተጠቒሞምሉ።*

*ቀጺሉ “**ኣብ ሰላብ**” ኣብ መንሱራ ምስ ጸላኢ ከም ዝተራኸበ ምስ ተወረየ፡ ንጥርጣረ ጉባኤኛታት ኣብቲ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ምንጻል ድሌቶም ኣዛይድዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕቶ ሰውራ ኤርትራ ንዘለዎም ተወፋይነት ወይ ተኣማንነት እውን ኣብ ዓቢ ናይ ሕቶ ምልክት ኣእትይዎ።*

*መብዛሕትኦም ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ መራሕቲ ናይተን ዓሰርተ ሓይልታት ባርካ፡ በቲ ንሓይልታት ባርካ ካብ ደቂ ካልኦት ከባቢታት ንምጽራይ ዝጀመረ መደብን ኣብ “**ያበል**” ካብ ውድብ ንምንጻል ዝተኻየደ ፈተነን ቀጺሉ ከኣ ኣብ ልዕሊ ውሳኔታት ጉባኤ “**ዓዋተ**” ዝወሰድዎ መርገጽን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይምስታፎምን ካብ ካልኦት ንላዕሊ ብዙሕ ዝተሳቀዩ ብምንባሮም፡ ካብ ኣባላት ጉባኤ እቶም ዝያዳ ኣንጻር “**ያበላውያን**” ተሪር መርገጺ ዝነበሮም ኢዮም ነይሮም።*

*ከም መግለጺ ናይዚ ስምዒት እዚ፡ ተወከልቲ ሓይልታት ባርካ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ዝተነበ ጽሑፍ ብምቅራብ እቶም ኣርባዕተ መራሕቲ “**ያበል**” ክኹነኑን ጉባኤ ኣንጻሮም ወሳኒ መርግርጺ ክወስድን ሓቲቶም።*

*ብመሰረት'ዚ ዝተጠቅሰ ድሕረ ባይታ ድማ ጉባኤ ብዛዕባኦም ነዚ ዝስዕብ ውሳኔ ኣሕሊፉ።*

***“መርገጺ ጉባኤ ኣብ ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነበር***

***ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ እዞም ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነበር ሃገራዊ ጉባኤ ንኽይካየድ ኣብ ባርካ ዝተጸወትዎ ዓንቃፊ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ከምኡውን እዞም ሓለፍቲ እዚኣቶም ንመርገጺ መሪሕነት ጸረ ገድሊ ብምውካሎምን ንረብሓታቱ ብምክልኻልምን ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ወሲኑ።***

1. ኣርባዕቲኦም ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነበር ንሃገራዊ ጉባኤ ብምጽባኦም ኮኒኑዎም። ነቲ ብ25-9-1971 ዘውጽእዎ ኣዋጅ ድማ ነጸጎ።
2. ኣብ ባርካ ተጋደልቲ ንውዲታት ናይዞም ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነበር ብምንጻግ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምስታፎም ድማ ኣሞጊሱዎም።"
"መርገጺ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስኡ ዘለው ተጋደልቲን

ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ንመርገጺ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን ውድባውን መዳይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሕቶ ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰር ብምዃኑን፡ ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ወሲኑ፣

1. ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስኡ ዘለው ተጋደልቲን ብፕሮግራምን ውሳኔታትን ሃገራዊ ጉባኤ ንኽምእዘዙን ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንኽኣትውን መጸዋዕታ ክመሓላለፈሎም።
2. ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነዚ ጉዳይ'ዚ ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ሓድነት ውድብን ሰውራን ብዘረጋግጽ ንምፍትሑ ኩሉ ኣድላዪ ዝበሃል ስጉምቲታት ይወስድ።"

ጉባኤ ምስ "ጉጅለ ዓላ" ከም ፖለቲካዊ ጉጅለ ንኽዋሳእ ዝገዝእዎ ሰለስተ ረቛሒታት ነይሮም። ንሳቶም ከኣ፡ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ከምቲ ምስ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን "የብል"ን ዝነበረ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ናይዚ ጉጅለ'ዚን ተ.ሓ.ኤን መዓልታዊ ምጉርፋጥ ኣይነበረን። እቲ ምኽንያት ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን መዓልታዊ ቀጥታዊ ምርኻባት ስለዘይነበረ ኢዩ።
2. መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብዛዕባ ፖሊስታትን ዕላማታትን ናይዚ ጉጅለ'ዚን ኣብቲ እውጅ ፖሊስታት ተ.ሓ.ኤ. ዘለዎ መልሰ ተግባርን ብዙሓ ይፈልጥ ዘይምንባሩ። ምክንያቱ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ክትዛረበሉ እትኽእል ብመልክዕ ኣዋጅ ይኹን ካልእ ጽሑፋት ዘውጽኦ ነገር ሰለዘይነበረ።
3. እቲ "ጉጅለ" ካብ መጀመርታን ከምኡውን ብመሰረት ጽውዒት ጉባኤ መዓስከር "ዓዋተ"ን ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዘተ ዘይምእታው።

እዘን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ረቛሒታት ምስቲ "ጉጅለ" ካብ ዝፍለ ኣትሒዙ ብዛዕባ ኣታሓሕዛ ጉዳዩ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ምድንጋር ኩነታት ፈጢሩ።

ብዛዕባ'ዚ ጉጅለ'ዚ እቲ ብዝያዳ ክትዕ ዘተኵረሉ ሽነኽ ንሽግር ክርስትያን ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝገልጽ ወይ ዝውክል ኢዩ ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ። ብዛዕባ ሽግር ክርስትያን ደቂ ከበሳን ታሪኻዊ ድሕሪ ባይታን ተራ ጀብሃን ምስ ክብደቶምን ኣድማዕነቶምን ብዝዳረግ ኣብ ሰውራ ዘይምስታፎምን ብዝምልከት ፍልልያት እኳ እንተ ነበረ፡ ኩሉ ዝስማማዓሉ ሓደ ጉዳይ ግን ነይሩ፡ ንሱ ድማ ነዚ ተርእዮ'ዚ ምስ ሕቶ ሃገራዊ ሓድነት ብዘለዎ ተኣፋፊ ዝምድና ፍታሕ ክግበረሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ኢዩ።

እዚ ጉዳይ ተኣፋፍን ኣብ መጻኢ ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ንኸይምዕብልን ናይ ስግኣት ስምዒታት ከማዕብል ዝኽእል ድማ ንክርስትያን ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ስሓቢ ማእከል ብምዃኑ ኢዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኣብ ልዕሊ እቲ "ጉጅለ ዑማሮ" "ጉጅለ ኣቡጥያራ"ን "ጉጅለ ኣደም ሳልሕ"ን ዝወከልዎ ኣውራጃውን ቀቢላውን ባህሪ ዝነበሮ ምፍንጫል ተወሳኺ፡ ሃይማኖታዊ ምፍንጫል ክስዕብ ኢዩ ማለት ምዃኑ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. እቲ ንቁሕ ዝብሃል ካድር ብዛዕባ "ሽግር ክርስትያን" "ናይ ሕልና ወቐሳ" ክብሃል ዝካኣል ስምዒት ገዚእዎ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ኢዩ

ከኣ እቲ ናይ (ሚያዝያ 1970) ወረቐት ካድር ብዘይ ዓሚቕ መጽናዕቲ ንጠቕላሊ መሪሕነት ሓላፍነት ናይ "**ብሄራዊ ጉዳያት ምትሕልላኽ**" ዘስከሞ።

ብመሰረት'ዚ ዝተጠቕሰ ድሕረ ባይታ ከኣ ኢና ንውሳኔታት ሃገራዊ ጉባኤ ብዛዕባ እዚ ጉጅለ እዚ ክንርድኦ እንኽእል።

ከምቲ ዝተዓዘብናዮ እቲ ውሳኔ ተጋራጫዊ ክንብሎ እንክእል መርገጺ ኣለዎ ኢዩ። ብሓደ ወገን ዘለዎ ስግኣታት ይገልጽ፡ በቲ ካልእ ድማ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ድሌት ከም ዘለዎ ይሕብር። እታ ቀዳመይቲ ብውሳኔታትን ፕሮግራምን ሃገራዊ ጉባኤ ንምምእዛዝን ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንምእታውን እትጽውዕ ውሳኔ፡ ኣብ ውሽጡ ሕቡእ ታህዲድ ዝሓዘ ኢዩ። እዚ ድማ ትም ኢልካ ናይ ምዕዛብ ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤናት ካብ ምፍራህ ዝነቐለ ኢዩ። እንተ'ቲ ካልኣይ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ጉዳይ ንኽፈትሕን ንኽይብርትዕ ክዓግቶን ዝእዝዝ ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብዘውሕስን ሓድነት ውድብን ሰውራን ብዘረጋግጽን ዝብል ነጥቢ ንመሪሕነት ሰውራ ንሃገራዊ ሓድነት ዘገልግል ጥራይ ይኹን እምበር ምስኡ ኣብ ዝኾነ ስምምዕ ንኽበጽሕ ሰፊሕ ዕድል ዝህብ ኢዩ።

ብዛዕባ ኣተረጓጉማ ናይቲ ውሳኔ ክመጽእ ዝኽእል ፍልልያት ብዘየገድስ ግን እቲ ሓደ ዘየፈላሊ ነጥቢ፡ ኣጠማምታ ጉባኤ ኣብ ልዕሊ'ዚ ጉጅለ'ዚ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን "*የበል*"ን ዝነበሮ ኣጠማምታ ዝተፈልየ ከም ዝነበረ ኢዩ።

# 7. ምቛም መሪሕነት

መሪሕነት ኣብ ምቛም፡ ብፍላይ ከኣ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዘጋጠመ መሰናኽላት ንምርዳእ ክበርህ ኣለዎ እንብሎ ድሕረ ባይታ ናይዚ ጉዳይ ኣሎ።

ሰልፊ ዕዮ ቅድሚ ጉባኤ ብገለ እዋናት ብስምምዕ ኣባላቱ እድሪስ መሓመድ ኣደም ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ ንኽምረጽ ወሲኑ ነይሩ። እዚ ወሳኒ'ዚ ንክልተ ረቛሒታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኢዩ ነይሩ። ቀዳማይ፡ መጻኢ መድረኽ ኣንጻር ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ርሱን ፖለቲካዊ ቁርቁሳት፡ ምናልባት እውን ወተሃደራዊ፡ ክጋሃደሉ ዝኽእል ስለዝኾነ ኣብ ወጻኢ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝብድህ ብጸጋማውነት ዘይጥርጠር ኣቦ መንበር ውድብ ክህሉ ኣገዳሲ ነይሩ። እንተ'ቲ ካልኣይ ረቛሒ ድማ እቲ ሰልፊ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ነቲ ቦታ ክሕዝ ድሌት ኣይነበሮን።

እንተ ብዛዕባ ዝተረፉ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ፋጻሚት ሽማግለን ኣባላት ሰልፊ ኣብ መብዛሕትኦም'ኳ እንተ ተሰማምዑ፡ ንምውሳኖም ብዝምልከት ግን ብመሰረት'ቲ ኣብ መስርሕ ጉባኤ ዘጋጥም ምዕባለታት ኣብ ቦታ ጉባኤ እናተመያየጥካ ንኽውሰን ኢዩ ገዲፉዎ።

መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ቦታ እቲ ጉባኤ ንምምይያጥ ኢሉ ምሽታዊ ርክባት ይውድብ ነይሩ። ብመሰረት'ቲ ክትዕ ዝካየደሉ ጉዳይት ድማ ዝሳተፉ ኣባላት ይውስን ነይሩ።

ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ካብቲ ምርጫ ክልቲኡ መሪሕነት ዝካየደሉ ዕለት ድማ ናይ መጨረሽታ ናይ'ቲ ሰልፊ ሊስታ ንምጽዳቅ መሪሕነት ሰልፊ ሰፍሕ ዝበለ ኣኼባ ናይ ኣባላቱ ጸውዐ።

- እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣቦ መንበር ክኸውን ኩሎም ተሳማሚዖም።
- ሕሩይ ተድላ ባይሩ ምክትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ክኸውን ኩሎም ተሳማሚዖም።

- ዓብደላ እድሪስ መሓመድ ምክትል ኣቦ መንበርን፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ክኸውን ኩሎም ተሳማሚዖም።
- ኣብ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ግን ፍልልያት ኣጋጢሙ፡ ኣኼባኛታት ነቲ ቦታ ክሕዝ ኣብ ኣዜን ያሲን ክስማምዑ ከለው፡ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ግን ተቃዊምዎ። እቲ ዘቅረቦ ዝነበረ ምኽንያት ድማ እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ወዱን ኣይቅበልዎን ኢዩም ዝብል ኢዩ ነይሩ። ኢብራሂም ወዲ እድሪስ ነቲ ቦታ ክሕዝ ከም ዝመርጽ ከኣ ገሊጹ።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ነዊሕ ክትዕ ተኻይዱ። ብዙሕ ሕቶታት ድማ ንሕሩይ ቀረቡሉ። ገለ ካብኡ ንኣብነት **"ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንስኻ ኣቕዲምካ ምስ ኢብራሂም ዝገበርካዮ ስምምዕ ኣሎ ዲዩ?"** ዝብል ነይሩ። ንሱ ግን ኣሉታ ሂቡሉ። ይኹን'ምበር ኣባላት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ግዜ ምድማጽ ናይ ዘይምድማጽ መርገጺ ክወስድ ምኳኑ ምስ ገለጸ ጠርጢሮምዎ።

እቶም ዝተዛረቡ ሕርቃን ብዝታሓወሶ ኢዮም ተዛሪቦም፡ ግን ከኣ ንስምዒት ናይ ኩሉ ዝውክል ኢዩ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ እንተድኣ ብሓቂ ኣባል ሰልፊ ኮይኑ ብውሳኔ ናይ ሰልፊ ክቕየድ ታሓቲቱ።

ሕሩይ፡ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ወዱ ከም ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ኮይኑ እንተ ድኣ ዘይተመሪጹ ካብ ሓላፍነቱ ከወርድ ኢዩ፡ ምስ በለ ድማ ክትዕ ከም እንደገና ረሲኑ። ገለ ኣባላት ንሕሩይ ምስዚ ዝከላኸለሉ ዘሎ ወገን ስምምዕ ኣለዎ ተባሂሉ ኢሎም ከሲሶሞ። ኣብ መጨረሽታ እድሪስ መሓመድ ኣደም ካብ ስልጣኑ ክወርድ ምስ ዝደሊ እቶም ሰለስተ ኣባላት ሰልፊ ከይስዕቡዎ ብምሉእ ድምጺ ኣባላት (ብዘይካ ድምጺ ሕሩይ) ተወሲኑ።

እቲ ፍጻመ ንዛንታ ናይታ ኣቐዲምና ዝጠቀስናያ ኢብራሂም ናብ ኣቦኡ ዝጻሓፎ መልእኽቲን ሕሩይ ደብዳበ ኣቦኡ ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ንኽንበብ ዝገበሮ ጻቕጢን ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሰልፊ ከም እንደገና ከም ዝለዓዓል ገይሩ። ብመሰረት'ቲ ሕሩይ ዝወሰዶ መርገጺ ከኣ ክልቲኡ ፍጻመታት ሕሩይን ኢብራሂምን ኣቦታቶምን ናብ ሰውራዊ ባይቶ ንኽምረጹ ኣቀዲሞም ተሰማሚዖም ከም ዝነበሩ ብዘረድእ መልክዕ ተተርጒሙ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ምምራጽ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ርሱን ኵናት ክካየድ ምኳኑ ድማ ንኣባላት ሰልፊ ብሩህ ኮይኑ። በዚ መሰረት ከኣ ኣባላት ሰልፊ ነቲ ብሰልፊ ዝተሓጽየ ኣዜን ያሲን ንምዕዋት ጽዑቕ ንጥፈታት ከካይዱ ተስማሚዖም። ሓደ ካብቲ ከቕርብዎ ዝተሰማምዑ ናይ ተቓውሞ ሙጉት ድማ፡ ነዘን ክልተ ኣገደስትን ኣብ ዝተቃራረበ ቦታታት ዝሰርሑን ኣቦን ወዱን ክሕዝዎ ከም ዘይግባእ ምግላጽ ኢዩ ነይሩ።

ብመሰረት እዚ ዝተጠቕሰ ድሕረ ባይታ ከኣ ምርጫ ተኻይዱ።

ብመሰረት **"ስርዒታዊ ፕሮግራም"** ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓለፍቲ ናይተን ሰለስተ ኣብያተ ጽሕፈትን ዋና ጻሓፊ ፈጻሚት ሽማግለን ብቐጥታ ከምቲ ኣቀዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ካብ ውሽጢ ጉባኤ፡ ኢዮም ክምረጹ ዝነበሮም።

- ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ ብዓብላሊ ድምጺ ተዓዊቱ።
- ሕሩይ ተድላ ባይሩ ከም ቀዳማይ ምክትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ብዓብላሊ ድምጺ ተዓዊቱ።
- ዓብደላ እድሪስ መሓመድ ከም ካልኣይ ምክትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ብዓብላሊ ድምጺ ተዓዊቱ።

- ኣዜን ያሲንን ኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደምን ድማ ንሓለፍነት ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ተወዳደሩ።

ድምጺታት ንምቁጻር ንሰክረታርያ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ንክልቲኦም ሕጹያት ነናቶም ቦታ ድሕሪ ምሃብ ኣባላት ጉባኤ ነቲ ዝመርጽዎ ሰብ ብድሕሪኡ ክሰርዑ ተሓበሮም። ኣዜን ያሲን ድማ ብብዙሕ ዘይኮነ ድምጺ ብልጫ ተዓወተ። ሕሩይ ተድላ ባይሩ ኣብ ርሑቕ ኣብቲ ድምጺ ንዘይህቡ ዝተወሰነ ቦታ ሽዱሻይ ርእሱ ደው በለ።

- ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ድማ ከም ዋና ጸሓፊ ፋጻሚት ሽማግለ ብምሉእ ድምጺ ተዓወተ።

ጉባኤ ቅድሚ ናብቲ ዝተረፈ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ዝምረጽሉ ካልኣይ መድረኽ ከይተሰግረ ግን ሽግር ኣጋጢሙ።

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ደው ኢሉ ካብ ስልጣኑ ከምዝስሓበ ኣፍለጠ። ነዚ ድማ ክልተ መኽንያታት ኣቕሪብሉ። ቀዳማይ ምስ ኣዜን ያሲን ክሰርሕ ከምዘይክእል፡ ካልኣይ ድማ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝካየድ ዘሎ ብዙሕ ንሱ ክፈልጦ ዘይክእል ጉዳያት ከምዘሎ ኢየን።

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም እንተ ድኣ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ሓቲቱ እቶም ሰለስተ ኣባላት ሰልፊ ከይስዕብዎ ኢዩ ተወሲኑ ነይሩ። እንተኾነ ግን ሕሩይ ሓፍ ኢሉ ምኽንያት ከየቕረበ፡ ካብ ሓላፍነቱ ከምዝሳሓበ ኣፍሊጡ። ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ እውን ብተመስሳሊ ሓፍ ኢሉ ምኽንያት ከየቕረበ ሲሒቡ። ኣዜን ግን ምኽንያታት ድሕሪ ምቅራብ ኢዩ ስሒቡ። ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ መንጎኡን ሼኽ እድሪስን ናይ ውርሻ ባእሲ ከምዘየለ፡ ፖለቲካዊ ፍልልያት እንተነይሩ ውልቃዊ ፍልልያት ወይ ባእሲ ከምዘይኮነ ሓቢሩ።

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣብ ልዕሊ ኣዜን ያሲን ነዚ መርገጺ'ዚ ክወስድ ዝኽኣለ፡ ኣዜን ያሲን ኣብ ግዜ ጠቕላሊ መሪሕነት ሓላፊ ጨንፈር ዜና ኣብ ካርቱም ኮይኑ ምስ ተመደበ፡ ኣንጻር ክልቲኦም ወገናት ላዕለዋይ ባይቶ ብዝጽሕፎ ዝነበረ ምኽኑ ተገምጊሙ። ኣዜን ያሲን ኣብ ዝሃቦ መልሲ ዝሓለፈ ፖለቲካዊ ፍልልያት ውልቃዊ ፍልልያት ኣይኮነን ምባሉ ከኣ፡ ነቲ ናይ ሼኽ እድሪስ መልእኽቲ ጽቡቕ ገይሩ ከምዝተረድኦ ዝሕብር ኢዩ።

ብድሕሪ'ዚ ኢብራሂም እድሪስ መሓመድ ኣደም ንኩሉ'ቲ ኣብ መንጎኡን ሕሩይን ዝነበረ ስምምዓት ኣቃልዩ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሕሩይ ምሉእ ብሙሉእ ተስማሚዑ ከም ዝነበረ ሓቢሩ። ቀጺሉ፡ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ሕሩይ መጺኡ እቶም "ሰባት" (ጀማዓ) ከም ዝነጸጉን ኣብ ክንዳይ ንኣዜን ከምጽኡ ከም ዝተሰማምዑን ገሊጹለይ ኢሉ። ኣስዒቡ ከኣ ብላግጺ ስም ናይቲ ሰልፊ ከይጠቐስ **"መን ኢዮም እዮም ጀማዓ ዝበሎም"**? ክብል ሓተተ። ምናልባት ስም ናይቲ ሰልፊ ዘይምጥቃሱ ኣብ ቁሉዕ ውግእ ምስቲ ሰልፊ ክኣቱ ዘይምድላዩ ክኸውን ይክእል ኢዩ።

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንወዱ ክከላኸል ከሎ፡ ከም ኣብነት ነቲ ንወዱ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝሸመ ፕረዚደንት ቱኒዝያ ኣልሓቢብ ቡርቂባብ ብምጥቃሱ ስሚዒት ጉባኤኛታት ኣላዓዒሉ። እዚ ዘረባ'ዚ ብዙሕ ቁጡዕ መልሰ ተግባር ኣስዒቡ ኢዩ። ሓደ ካብ ወከልቲ ተማሃሮ ኤውሮጳ **"ሰለሙን መዓሾ"** ዝተባህለ ንኣብነት ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ **"ስለምንታይ ሼኽ እድሪስ ናብታ ርሕቕቲ ቱኒዝያ ዝኸይድ፡ ብሃይለ ሰላሰን ወዱ ኣስፋ ወሰንን ክምስል ይኽእል'ኳ ኢዩ"** ምስ በለ ንከምዚ ዓይነት ኣገባብ ክትዕ ዝቃወም ተጻራሪ መልሰ ተግባር ድማ ስዒቡ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ኩሉ ድማ መብዛሕትኦም ኣባላት ጉባኤ ዘይተጸበይዎ ከቢድ ፖለቲካዊ ጾር ኣብ ልዕሊ ጉባኤ ወሪዱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ግዝያዊ ምድንጋጽን

መልሰ ተግባርን ዓቢ ተራ ዝተጻወተሉ ሰልፊ ዕዮ ዝኸሰረሉ ኣሰላልፋ ሓይልታት (Polarization) ተራእዩ።

ስክረታርያ ጉባኤ፡ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ንኣባላት ጉባኤ ኣብ ነንሓድሕዶም ንኽመያይጡን ንኽመኻኸሩን ግዜ ከም ዘድልዮምን መጸኢ መጋባእያ ክትሕብር ምኳና ብምግላጽ ድማ መጋባእያ ፋሕ ክብል ኣዘዘት።

ንክልተ መዓልታት መጋባእያ ጉባኤ ደው ኢሉ። እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ሓሳቡ ክቅይር ብዙሕ ውልቃውን ሓባራውን ጻዕሪታት ተኻይዱ። እንተኾነ ግን እድሪስ ኣብ ርእይቶኡ ስለዝደረቐ፡ እቲ ኩነታት ናብ ዕጹው መገዲ ዝበጽሐ መሰለ።

ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ንኣባላት ጉባኤ ዓቕሊ ጽበት ክወርሶም ምስ ጀመረ፡ ሰክረታርያ ንኣኼባ ጸወዐት፡ ኣብቲ ኣኼባ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ግን ኣይመጸን። ሰክረታርያ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪታት ኣመልኪታ ንጉባኤኛታት መብርሂ ሂባን፡ ናብ ዘዕግብ ፍታሕ ንምብጻሕ ገለ ግዜ ከም ዝሓተትን ገለጸት።

መብዛሕቱኡ ንኣቦ መንበር ዝነቕፍ ክትዓት ድማ ተኻየደ። ንሱ ኣብ ልዕሊ ጉባኤ ድሌቱ ክሰገድድን ናይ ክመርጽን ክምረጽን ክዕወትን ዘሎ መሰል ኣባላት ጉባኤ ክግህስ ከም ዘይግባእ ድማ ተገሊጹ።

ይኹን'ምበር እቲ ፉሉይ ትርጉም ክዋሃቦ ዝክእል ዘረባ ብክልተ ዜጋታት ሓደ ካብ **"ሮራ - ሓባብ"** እቲ ካልኣይ ድማ ካብ **"መንሳዕ"** ዝተዛረብዎ ኢዩ ነይሩ።

- ሓደ ካብ ወከልቲ **"ሮራ-ሓባብ"** እድሪስ ሳልሕ ዝተባህለ ብዛዕባ እድሪስ መሓመድ ኣደም ኣመልኪቱ ብቛንቛ ትግረ **"እሳት ፋፍ ናብራ ኢ-ተኣበሽል፡ ወእናስ ደኪላት እሲት ኢ-ለኣነብር"** ክብል መሲሉ። ብትግርኛ ክትርጎሞ ኮሎ **"ብኣፍ ሓዊ እንጌራ ነይበስል"** ማለት ኢዩ።
- ሓደ ካብ ወከልቲ **"መንሳዕ"** ዓማር ኬፍላይ ዝተባህለ ድማ ብዛዕባ ኢብራሂም እድሪስ ኣመልኪቱ ብቛንቛ ትግረ ብዛዕባ ኢብራሂም፡ ከም ምሁር ዝነበሮም ተስፋታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ግን እንታይ ይግበር፡ **"ወድ ኣብእሾክ ሓምል ኢልትወለድ"** ክብል መሲሉ፡ ብትግርኛ **"ወዲ ቅንፍዝ ለማጽ ኣይውለድን ኢዩ"** ማለት ኢዩ።

ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ዘስሕቕን ዘለዓዕልን ተዘሪቡ። ሓደ ካብኡ ንኣብነት፡ ሓደ ካብ ወከልቲ ተማሃሮ ፕላንድ፡ ናይ እድሪስ ኣብቲ መጋባእያ ዘይምምጻእ ኣመልኪቱ **"ስለምንታይ ኢዩ ሼኽ እድሪስ ዘይመጸ? ቦታ ርሒቑዎ እንተ ድኣ ኮይኑ ስለምንታይ ገመል ዘይሰደደሉ"** ኢሉ፡ ናብ ቛንቛ ዓረብ ዝትርጉም ዝነበረ ስዒድ ሳብር ድማ ነቲ ገመል ዝብል ቃል **"ክልተ ኣግማል"** ክብል ምስ ተርጎሞ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ስነ-ስርዓት ናይ ክትዕን ዘተን ዘይሕሉ ክብሪ ሰባት ዝትንክፍ ዘረባታትን ሓሳባትን ደው ክብል ዝጠልብ ብዙሕ ናይ ተቓውሞ ድምጺታት ተላዒሉ።

ዋላ'ኳ መብዛሕትኡ ግዜ ብመገዲ መንጎኛ ዝፍጸም እንተነበረ፡ እቲ ክትዕ ኣብ መንጎ እድሪስ መሓመድ ኣድምን ሰልፊ ዕዮን ይካየድ ከም ዝነበረ ብሩህ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ መጨረሽታ ሰልፊ ዕዮ ኣብ ናይ ምምጻእ ኣዜን ያሲን ሕድገታት ገይሩ። ይኹን'ምበር ንኢብራሂም ግን ኣይተቀበሎን። ስለዚ ከኣ ሰልፊ ዕዮ ንኢብራሂም ዝወዳደር ንኣባሉ ሳልሕ እያይ ሓጽዩ፡ ብከምቲ ኣብ ምድማጽ ዝተኻየደ ናይ ቅድም ኣገባብ ድማ ንኣባሉ ኣዓወቶ። ሳልሕ እያይ ብናይ ወጻኢ ስራሕ ምኽንያት ኣብ ጉባኤ ስለዘይነበረ፡ ኣብ ክንድኡ ኮይኑ ኣብ ቦታኡ ደው ዝበለ ኣባል ጉባኤን ኣባል ሰክረታርያን ማሕሙድ ሓሰብ ኢዩ ነይሩ።

ብድሕሪ'ዚ እቶም ዝተረፉ ትሸዓተ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ተመሪጾም። ካብኣቶም ኣርባዕተ ኣባላት ሰልፊ ኢዮም ነይሮም። ጠቕላላ ኣባላት ሰለፊ ኣብ

**ሰውራዊ ባይቶ ድማ ሸውዓተ[160] ኮይኖም። ንምንጻር** (**ኣብቲ** Footnote **ኣባላት ሰልፊ ብጸጋም ኣባላት ሰልፊ ዘይኮኑ ድማ ብየማን ዘርዚርናዮም ኣሎና።**)

**ቀጺሉ ከኣ** 18 **ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ** (**ብዘይ ዋና ጸሓፊ ማለት'ዩ**) **ተመሪጾም። ካብ መንጎኦም እቶም** 10 **ኣባላት ሰልፊ ሰለዝነበሩ ድማ ጠቅላላ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ** 11 **ኮይኖም። ኣብቲ** (Footnote **ብኸምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ኣገባብ ድማ ዘርዚርናዮም ኣሎና።**)

* * *

**ሰልፊ ዕዮ ምስ ኢብራሂም ኣብ ግጥም ክኣቱ ድሌት ኣይነበሮን። ነቲ ሽግር ቀንዲ ዝፈጠረ እውን ኣባል ሰልፊ ሕሩይ ኢዩ ነይሩ። ኣብራሂም ኣቐዲሙ "ያበላዊ" እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤ ብተወፋይነት ከም ዝሰርሐ ዝከሓድ ኣይነበረን። ከም ጸሓፊ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ምምሕዳር ልዑል ንጥፈታትን ሓያል ዓቕሚን ኣርእዩ። ኣብ ምዕዋት ስራሓት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ድማ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። በዚ ድማ መብዛሕትኦም ካድራት ውድብን ኣባላት ሰልፊን ብኣድናቆት ይርእይዎ ነይሮም። ኢብራሂም ብሓቂ ነቲ ቦታ ንምሓዝ ብቑዕ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ሰልፊ ዕዮ ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝሰፈሐ ውክልና ክህቡ ይደሊ ሰለዝነበረ፡ ኣቦን ወዱን ኣብ ሓደ ዝለዓለን ብንጥፈታቱ እውን ዝተቀራረበን ጽፍሒ ክህልው ኣይደልን ነይሩ። እንተኾነ ግን ጎናዊ ስምምዓትን እቲ ምናልባት ኢብራሂም ብፍቃድ ሰልፊ ኢሉ ዝተርጎሞ ውልቃዊ መብጽዓታት ሕሩይን ነቲ ዘይተደልየ ረጽሚ ኣኸቲሉ።**

---

[160]

<u>ስውራዊ ባይቶ</u>

ሕሩይ ተድላ ባይሩ
ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ
ሳልሕ ኣሕመድ እያይ
ሙሓመድ ብርሃን ብላታ
ተስፋይ ተኽለ
ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር
ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም
ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ
ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድ
ሸሔም ኢብራሂም ሸሔም
ኣሕመድ ኢብራሂም ነፋዕ (ሓሊብሰተ)
ማሕመድ ዑስማን እዛዝ

<u>ፈጻሚት ሽማግለ</u>

ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል
ሙሓመድ ኖር ኣሕመድ
ዑመር ሙሓመድ ኣሕመድ
ስዒድ ሳልሕ
ዓብደልቃድር ሮመዳን
ሙሓመድ እድሪስ ሕመዳይ
ፍጹም ገብረስላሰ
ማሕሙድ ሓሰብ
ማሕሙድ ኢብራሂም (ቸኪኒ)
ሑመድ መ/ስዒድ ኩሉ
ኣዜን ያሲን

ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ
እድሪስ ዓሊ ዑመር
ኢብራሂም ዓብደላ
ኣደም መ/ሓምድ ግንድፍል
ኢብራሂም ዓሊ ኖር
ዓፋ ሙሓመድ ሓምድ
ኢብራሂም ማሕሙድ
ስሌማን ሙሳ ሓጅ

ብዙሓት ኣብ ኩሉ'ቲ ኣብ ጉባኤ ክትዓት ዝተኻየደሉ ጉዳያት ኣብ ጎኒ ፕሮግራም ሰልፊ ደው ዝበሉን ንኣባላት ሰልፊ ልዑል ኣኽብሮት ዝገበሩን ኣባላት ጉባኤ፡ ኣብ ጉዳይ ምምዕባል ቋንቋታት፡ ብፍላይ ኣባላት ሰልፊ ብዘርኣይዎ ደጋፊ መርገጺ ተቆጢዖም ኣብቲ ዘጋጠም መኸተ ንረብሓ ኢብራሂም እድሪስ ኢዮም ኣድሚጾም።

ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ ብዝምልከት ድማ፡ ኣባላት ሰልፊ ካብቲ ተመኩሮ ኣብ ልዕሊ ሕሩይን ኣገባቡን ብዙሕ ናይ ሕቶ ምልክት ሒዞም ኢዮ ወጺኦም። ብሓቂ ከኣ ብዙሓት ኣባላት ሰልፊ፡ ሕሩይ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ እንከሎ ኣብ ኩሉ ኣገባብቱ ዕቃበታት ነይሩዎም። እንተኾነ ግን ኣብ ዘይተደልየ ህውኽ ገምጋም ከይወድቑ ስለዝፈሩሑ ዓፊኖምዎ ነይሮም። ገለ ካብቲ ዕቃበታት ከም ኣብነት ሓደ ንምጥቃስ፡ ኣባላት ጉባኤ ናብ ቦታ ጉባኤ እናተጓዕዙ ከለዉ፡ ሕሩይ ኣቦኡ ደሞክራሲያዊ ምኳኑ ይዛረብ ነይሩ። ነቦኡ ናብ ሰውራዊ ባይቶ ንምምራጽ ፕሮፓጋንዳ ይገብር ከምዘሎ ብምርዳእ፡ ብቀረባ ምስኡ ዝነበሩ ኣባላት ሰልፊ ከምዚ ዓይነት ፕሮፓጋንዳ ደው ከብሎ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ንመርገጺታት ኣቦኡ ዘቃልዕ ካልእ ተጻራሪ ፕሮፓጋንዳ ከምጽእ ከም ዝኽእል ገለጹሉ።

# 8. ሓፈሻዊ ንባብ ንውጽኢት ሃገራዊ ጉባኤ

1. ሃገራዊ ጉባኤ ካብ 1968 ዓ.ም ጀሚሩ በቲ ብዙሕ ዝተዘርበሉን ዝተጠልቦን ዳርጋ ከምቲ ተኣምር ዝሰርሕ በትሪ ሙሴ ኢዩ ኾይኑ ነይሩ። ስለዚ ድማ ናይ ኩሎም ኣብ ቃልሲ ዝነበሩ ክፍልታት ኤርትራ ህጹጽ ጠለብ ኮይኑ። ንባዕሎም እቶም ካብ ተ.ሓ.ኤ. መገዲ ምፍንጫል ዝመረጹ ሓይልታት ክጎስይዎ ወይ ከስግርዎ ኣይከኣሉን። እቲ ኣብ (ሓምለ-1970) ዝተቓንዐ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝተኣወጀሉ ጉባኤ "ሶዶሓ ዒላ" እውን እንተኾነ ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ብምጽዳቅ፡ ኣብ ዝቐረበ ግዜ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ክትቋወም ምኳና ቃል ኣትዩ ኢዩ። ኣብ ከሰላ (ጥቅምቲ 1970) ዝተኻየደ ኣኼባ "*ያቦላውያን*" እውን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ኣረጋጊጹ።

እቲ ዝድለን ካብ ክቱር ምድግጋሙ ንጎሮሮ ዘድከመን ጉባኤ ግን ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝተፈጥረ ነቃዕ ንምፍዋስን ንጀብሃ ናብ ሓርነታዊ ዕላማታቱ ብሓይሊ ንምምራሽ ሓድሽ መሰረት ንምንጻፍ ንኩሎም ተጋደልቲ ኣብ ክሊ ተ.ሓ.ኤ. ዝጥርንፍ ክኸውን ኢዩ ነይሩዎ።

እንተኾነ ግን ብሰንኪ'ቲ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ባይቶ ዝወሰዶ ድኩም መርገጺ፡ ነገራት ብኸምቲ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ብተደጋጋሚ ዝገለጽናዮ ከይዱ። ብኸምቲ ዝድለ ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ዝዓንቀፈ፡ ሓድሽ ክውንነት፡ ማለት ክውንነት ምፍንጫል ተቐልቂሉ።

ድሕሪ ምቕልቓል ምፍንጫል እቲ እንኮ ዕድል እቲ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ዝተወሰነ ኣጀንዳን ናብ ዘተ ንምእታው ጉባኤ "ዓዋተ" ዝወሰዶ ተበግሶ ኢዩ ነይሩ። ምስ ምጥፋእ እዚ ዕድል'ዚ ድማ ሕቶ ሓድነት ከም እንደገና ናብ ጸልማት ኣትዩ።

በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ድማ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ብድሕርኡ ኣብ ማሕበራዊ ክውንነት ደው ዝበለን ዝምገበሉን ሱር ዘለዎን፡ ካብዚ ንላዕሊ ድማ ንኽቅጽል ውልቃዊ ረብሓ ብዘለዎ ወገን ናይ ወጻኢ ሓገዝ ዝውንን ሓይሊ ገዲፉ ኢዩ ተኸይዱ። ስለዚ ድማ ጉባኤ፡ ብፖለቲካዊ ሸነኽ፡ ጎደሎ ጉባኤ ኢዩ ነይሩ።

ምስዚ ኩሉ ግን ተ.ሓ.ኤ፡ ጉባኤ **“ዓዋተ”** ብምኽያዳን ንሃገራዊ ጉባኤ ምጽውዓን **“ንሶዱሓ ዒላ”**ን **“ያበል”**ን ኣብ ፖለቲካዊ ከበባ ከተእትዎም ክኢላ ኢ.ያ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተካየደ ውክልና፡ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝተራኣየ ፍልልያት ኣብ ካልኣዊ ዝኾነ ጉዳያት ብዘየገድስ፡ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ጉዳይ **“ተፈንጨልቲ”** ዝተራእየ ውሽጣዊ ሓድነት ንናይ ክልቲኡ ውድባት ናይ ምህላውን ምቅጻልን ዕድል ኣጽቢቡዎ ኢዩ።

ክልቲኡ ውድባት፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ሜዳ ደው ዝብልሉ መሬት ከምዘይህሉ እምነት ጉባኤኛታት እኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ጉባኤ ብዛዕባኦም ዘውጽኦ ውሳኔታት ግን ኣብ ውሽጢ ሰውራ ነቃዕ ከም ዘሎን፡ ነዚ ነቃዕ'ዚ ንምፍዋስ ኣብ ዝውሰድ ስጉምትታት ዝኸተል ጸገማት ምጽዋር ከም ዝሓትትን ዝኣምን ኢዩ ነይሩ።

2. ሃገራዊ ጉባኤ ናይቶም ኣቀዲምና ዝገለጽናዮም ካብቲ ናይ ቅልውላው ዓመት (1967) ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ብዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ባህጊታቶም ዝገልጹ ዝነበሩ ናይ ለውጢን ምሕዳስን ሓይልታት ዘካየድዎ ጻዕሪታት መሰረታዊ ውጽኢት ኢዩ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም፡ ኣብ መንጎኦም ዝራሓሓቑን ዝቃራርቡን እኳ እንተነበሩ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምኽያድ፡ ሰውራ ኤርትራ ዝምራሓሉ ክለሳ ሐሳባዊ ፕሮግራም ኣብ ምሕንጻጽ፡ ነቲ ንሰውራ ዝመርሕ ዝነበረን ምስ ኩሉ ገደብ ኣልቦ ስልጣኑ ብዕቱብ ክመርሕ ሓሲቡ ዘይፈልጥን ላዕለዋይ ባይቶ ዝትክእ፡ መደበሩ ኣብ ሜዳ ዝኾነ ብምርጫ ዝመጽእ መሪሕነት ንምርግጋጽን ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ሓደ መርገጺ ነይሩዎም።

መድረኽ ጠቅላሊ መሪሕነት ንስርዓተ ወተሃደራዊ ክፍልታት ስለዝኣለየ፡ እዚ፡ እቶም ናይ ለውጢ ሓይልታት ንኽሰራሽቡን ኣብ ሓደ ክሊ ኾይኖም ንኽሰርሑን ምቹእ ባይታ ፈጢሩሎም ኢዩ። ከምኡውን እቲ ድሕሪ ጉባኤ **“ኣዶብሓ”**፡ ብፍላይ ብወገን ላዕለዋይ ባይቶ ዝተቀልቀለ ሓድሽ ብድሆታት ኣብ ውሽጢ'ቶም ናይ ለውጢ ሓይልታት ነቲ ብድሆ ንምግጣምን ንሰውራ ቅኑዕ ኣንፈቱ ንምትሓዝን ተራኦም ንኽጻወቱ ኣብ ውሽጦም ንኣገዳስነት ሓድነት ኣሓይሉ።

ኣብ መስርሕ ምስንዳእ ጉባኤ **“ዓዋተ”**ን ኣብ ውሽጢ ጉባኤን፡ ከምኡውን ንሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ምድላዋትን፡ ብዛዕባ'ቲ ሰውራ ዝምራሓሉ ፖለቲካዊ ፕሮግራም መሰረታዊ ሓሳባት ከስርጽ ጀሚሩ። ነዚ ሐሳባት'ዚ ኣብ ምቅራብን ምብራህን ድማ ሰልፊ ዕዩ ዓቢ ተራ ነይሩዎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ሰፊሕ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ጸጋማዊ ኣተሓሳስባታት ክቅበል ጀሚሩ። ምኽንያቱ እቲ ኣተሓሳስባታት ሕብረተሰብ ብመሰረት ቀቢላን ወገንን ሃይማኖትን ምፍልላይ ስለዝጻረርን ንሓድነት ናይቶም ኣብ ሰውራ ሓቀኛ ረብሓ ዘለዎም ከም ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ሰውራውያን ምሁራትን ... ወዘተ ሓድነት ስለዝጽውዕ። ስለዚ ድማ እቲ ኣሰናዳኢ.ት ሽማግለ ዘቕረበቶ ማርክሳዊ ትሕዝቶኡ ንኩሉ ሰውር ዘይነበረ ፕሮግራም ሰልፊ ዕዮ ዓቢ ተቐባልነት ረኺቡ። ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. እቲ ዝሰፍሐ ሓይሊ፡ ምስ ሕሉፍ ተመኩሮ ተባቲኹ ምስ መጻኢ ብሓድሽ ኣገባብ ክተኣሳሰር ድሌት ነይሩዎ።

ጉባኤ ነቲ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ መልሲ ከይረኸበ ዝጸንሐ ከምኒ፡ እንታይ ኢ.ዩ ባህርያት ናይ ሰውራና? መን እዮም ከ ሓይልታቱ? መን እዮም ፈተውቱን ጸላእቱን? እንታይ ኢ.ዩ ናይ መጻኢ ዕላማታቱ? ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ሰውራ ኣብ ምንታይ ዝተመርኩሰ ክኸውን ይግባእ? ሓርነትን ናጽነትን ከ እንታይ ማለት ኢ.ዩ? ዝብሉ ሕቶታት መሊሱዎም።

ሃገራዊ ጉባኤ ዘጽደቆ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ባህሪ ሰውራ ዘንጸረን ዝምራሓሉ ንጹር መስመር ዘሓንጸጸን ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ቀዳማይ ፖለቲካዊ ሰነድ ኢዩ ነይሩ። ካብቲ ጉባኤ፡ ኩሉ ኣባል ክዛረበሉን ኣብ ባይታ ክትግብሮን ዝኽእል ንጹር ሓሳባት ሒዙ ኢዩ ወጺኡ።

3. ሰልፊ ዕዮ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ነቲ ንምዕዋቱ ናብ ጉባኤ ሒዙዎ ዝኣተወ ዓላማታቱ ኣረጋጊጹ ኢዩ። ዘቕረቦ ፕሮግራሙ ጸዲቑ። ነቲ ፕሮግራም ንምትግባር ዘኽእሎ ውክልና ኣብ መሪሕነት እውን ኣረጋጊጹ። ስለዚ እቲ ድሕሪ ጉባኤ ዝነበረ መድረኽ፡ መድረኽ ሰልፊ ዕዮ ክበሃል ይከኣል ኢዩ።

ካብ መጀመርታ 1970 ክሳብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝነበረት ግዜ፡ ሰልፊ ዕዮ ርኡይ ንጥፈታት ዘካየደሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ናብ ጉባኤ ንምብጻሕ፡ ካድራቱ ንዝተፈላለየ ጽፍሒታት ኣብ ዝሰርሑ መራሕቲ ውድብ ኣብ ውሽጢ መድረኻዊ ፕሮግራም ንምጥርናፍ ክይተሓለሉ ይሰርሑ ነይሮም። እዚ ድማ ኣብቲ ንውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ምግምጋም ኣረኣእያታትን መርገጺታትን ዘበታተነ ምፍንጫላት ዝተራእየሉ ክውንነት ቀሊል ስራሕ ኣይነበረን።

ልክዕ'ዩ እቲ ዝነበረ ሽግርን ኣብኡ ናይ ሓባር መርገጺ ንኽህሉ ዝተገብረ ጻዕርታትን ንርክብን ዘተን ስምምዕን ሒጋዚ ረቛሒ ኢዩ ነይሩ። ይኹን እምበር እቲ ሰልፊ ዕዮ ዝማዕበሎ ንተፈንጨልቲ ናብ ማኣዲ ዘተ ምጽዋዕ፡ ምስቲ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ተፈንጨልትን ናብ ግጭት ዝድፍእ ዝነበረ ኣካይድኦምን (ያበላውያን ንኣብነት) ዝጸነሐ ፍልልያት ኣገዳሲ ናይ መርኸቢ ነጥቢ ኢዩ ነይሩ።

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡ ሕልምታቱ ኣብ ምምራሕ ሰውራ ንምርግጋጽ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ዝፈጠሮ ውድብ ምኻኑን፡ እዚ ሓይሊ'ዚ ብሃንደበት ዝተቀልቀለ ዘይኮነስ፡ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ካብ ግዜ ወተሃደራዊ ክፍልታት ዝጀመረ ምኻኑ ሰልፊ ዕዮ ዓሚቕ እምነት ነይሩዎ። ከምኡውን ገምጋም ሰልፊ ዕዮ ኣብ ምንቅስቓስ “ያበል”፡ ኣብ ቀቢላውን ኣውራጃውን ክውንነት ዝተመርኮሰ፡ ምስ ዝመሳሰልዎ ሓይልታት ብምምሕዛው ሰውራ ኤርትራ ንምቁጽጻር ዝሓልም ምንቅስቓስ ኢዩ ነይሩ። ምስዚ ኩሉ ግን ብኣረኣእያ'ቲ ሰልፊ ንሕልሚታት መሪሕነታት ክልቲኡ ውድባት ንምብርዓን ምስኣታቶም ዘተ ምክያድ ኣገዳሲ ኮይኑ ይራኣዮ ነይሩ።

ኣባላት ሰልፊ ዕዮ፡ ኣብ ክሊ እቲ ሰፊሕ ግንባር ክሰርሑን ክሊ ናይ ዘተ ንኽሰፍሕን ጉዱሳት ነይሮም ጥራይ ዘይኾነስ ካብ ተነጺልካ ኣብ ምስራሕን ናይ ምምራሕ ስምዒታት ኣብ ምርኣይን ጥንቁቓት ነይሮም። ኣብ ጉባኤ “ዓዋተ” ፖሊስታቶም ከረጋግጹን ምስ ዝሰፈሐ ክፋላት ናይቲ ውድብ ድልዱል ዝምድና ንኽፈጥሩ ዘኽኣሎም ድማ ንሱ ኢዩ። እዚ ከኣ ሰልፊ ዕዮ ንክምዕብል ምቹእ ከባቢ (Environment) ኮይንዎ።

ሰልፊ ዕዮ ተ.ሓ.ኤ. ንምምራሕ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝቕረቦ ሊስታ ሕጹያቱ ክዕወት ከሎ ሓደገኛነት ናይቲ መድረኽ ይዝንግዖ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ነቲ መድረኽ ንምብዳህን ንተርእዮ ምፍንጫል ገደብ ንምግባርን ሓድነት ሰውራ፡ ብቀዳምነት ከኣ ሓድነት ሰራዊት ሓርነት ንምርግጋጽ ብቕዓት ዘለዎ ንሱ ጥራይ ምኻኑ ይኣምን ነይሩ።

ከምዚ ኢሉ ድማ ጉባኤ ፕሮግራሙ ንኽተግብር ንሰልፍ ዕዮ ዕድል ሂቡዎ። ሰልፊ ዕዮ ድማ ብቕዓቱ ክምስክር ነይሩዎ።

4. ኣንጻር ክልቲኦም ተፈንጨልቲ ውድባት፡ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ.፡ ኣዋጅ ኲናት ዘይኮነስ፡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ከምዝከኣልን ንመሪሕነቶም ምኽናንን ኢዩ ወሲኑ። ነቲ ድሕረ ባይታ ናይቲ ውሳኔ ንዘይፈልጥ ምናልባት ክገርሞ

ይኽእል ይኸውን። ከም ልሙድ፡ ናይ ሰልፍታትን ውድባትን ጠቕላላ ጉባኤታት፡ ጉዳይ ኣገላልጻኡን ትግባረኡን ነቲ ካብቲ ጉባኤ ዝምረጽ ሓጋጊ ስልጣን ዝግደፍ ሓፈሻዊ ፖሊሲታት ኢዩ ዘሕልፍ። ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ብዛዕባቶም ክልተ ውድባት ዘሕለፎ ውሳኔ ግን፡ ንጉባኤ ከም ዝለዓለ ስልጣን ውድብ ካብ ቦታኡ ነክዩ ናብ ደረጃ ምትግባር ዕማም ናይቶም ዞቆሞም ሓጋግን ፈጻምን ኣካላት ዘውረደ ኢዩ ነይሩ። እቲ ውሳኔ ኣብቲ እዋን'ቲ ንኩሉ ኣፍደገ ዘተ ዓጽዩ ኣንጻር ክልቲኡ ውድባት ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ከም ምድላው ስለዝተተርጎመ ድማ ክሳብ ካልእ ጉባኤ መጺኡ ዝቕይሮ፡ ኣብ ግብራዊ መዳይ ንመሪሕነት ውድብ ምስቲ ዝኽሰት ምዕባለታት ብዝሳነ ብናጻ ንኸይንቀሳቐስ ከም ቀይዲ ተራእዩ ኢዩ። እዚ ዘስዓቦ ኣሉታዊ ውጽኢት ድማ ብዛዕባ ምዕባለታት 1974 ኣብ እንዛረበሉ ክንርእዮ ኢና።

እቲ ዝተወሰደ ውሳኔ ብሓደ ወገን እቲ ኣንጻር **"ተፈንጨልቲ"** ዝካየድ ቁርቁስ ኣብ ምምሕዳር ካብ ቅኑዕ መረዳእታ ዝተበገሰ ዘይኮነስ፡ ካብቲ ዝነበረ መጠኑ ዝሓለፈ ቂጥዐ ዝነቐለ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ኣንጻር'ቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንኩሉ ዓብን ንእሽቶን ምውሳን ንበይኑ ብሒቱዎ ዝነበረ መሪሕነት ውድብ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቁርቁሳት፡ መሰረታት ኣብ ምውሳን ክሳተፉ ኣለዎም ካብ ዝብል ኩቱር ድሌት ዝተደረኸ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ጉባኤኛታት ነቲ ንነዊሕ ዝተሐረሞዎ ናይ ምውሳን መሰል ይጥቐሙ ነይሮም ማለት ኢዩ። ሓደገኛነት ናይቲ ኣካይዳ ግን ኣብ እዋኑ ዘስተወዓለሉ ወገን ኣይነበረን።

ጉባኤ ምስ ክልቲኡ **"ውድባት"** ንዝህልዎ መጻኢ ዝምድና ብንጹር ወሲኑዎ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ፡ እቶም ዝምልከቶም ኣንጻሮም ዘይተርፍ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከም ዝህሉ ተረዲኦሞዎ ኢዮም። ካብቲ ዝጸበዮም ዝነበረ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ ንምድሓን ኣድላዪ ምድላዋት ንክገብሩ'ውን ገዲድዎም ኢዩ። ነዚ ንምርግጋጽ እንታይ ከም ዝገበሩ ድማ ኣብ ዝቕጽል ክርንርእዮ ኢና።

ጉባኤ ኣብ ክንዲ ንድሌታቱ ኣብ ቅድሚ ተጻራሪኡ ዘቃልዕ ኣዋጃት ዘውጽእ፡ ንናይ ውሽጢን ወጻኢን ጽልዋታትን ምስ ጸላኢ ንዝካየድ ግጥም ኣብ ግምት ዘእቱ፡ መሪሕነቱ ድማ ብኹናት ይኹን ብሰላማዊ መገዲ፡ ነቲ ተርእዮ ንምፍታሕ ኣድላዪ ዝብሎ ሜላታትን ኣጋባባትን ንኽወስድ ዕድል ዝህብ ሓፈሻዊ ፖሊሲ ጥራይ ክሕንጽጽ ኢዩ ነይሩዎ። ከምዚ ክኸውን ግን ከምቲ ኣብ ጉባኤ **"ዓዋተ"** ዝተራእየ ተቓዋሚ ወይ ከኣ ሻራ ዘይብሉ መርገጺ ዝወሰድ ሓይሊ ክህሉ ነይሩዎ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ግን እቶም ትማሊ ንዘተ ዝጽውዑ ዝነበሩ ወገናት ንባዕሎም ሎሚ ዝተረረ መርገጺ ብምውሳድን፡ እቶም ነቲ ዓብደላ እድሪስ ኣብ መጨረሻታ 1970 ንተፈንጨልቲ ንምቅንጻል ዘሕለፎ ውሳኔ ብምንጻጎም ተጠዊሶም  ዝነበሩን ኣብ ዝዕብልሉሉ ኩነታት ብዘይካ ሓደ ትርጉም ካልእ ዘይቕበል ብሩህን ንጹርን ውሳኔ ምሕላፍ እምበር ካልእ ይሕሰቡ ኣይነበሩን። ንባዕሉ እቲ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምቅንጻል ክወጽእ ዝተሓሰበ ውሳኔ ንጹር መግለጺ ናይቲ ዝነበረ ሓባራዊ መርገጺ ኢዩ።

ንመራሕነት ምስ ኩሉ ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለታት ዝሓሸ ኣማራጺታት ንኽወስድ ሰፊሕ ዕድል ዝህብ ህዱእ ውሳኔ ከዳሉ ዝኽእል ዝነበረ እንኮ ኣካል ሰልፊ ዕዮ ኢዩ ነይሩ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣቲ መሪሕነት ናቱ መሪሕነት ስለዝነበረ። እንተኾነ ግን እቲ ሰልፊ ንመሪሕነቱ ብምቅያዱ ንነፍሱ ይቕይድ ከምዘሎ ኣብ ሓሳቡ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣባላት ሰልፊ ንባዕሎም ኣብቲ ኣንጻር ምፍንጫልን ተፈንጨልትን ተባሪዑ ዝነበረ ኩነታት ተሸሚሞም ስለዝነበሩ፡ ንሰልፊ ካብ ካልኦት ሓይልታት ክፈልዮዎን ካብ ግዝያዊ ስምዒት ናጻ ኮይኖም ረብሓ ተ.ሓ.ኤን ሰልፊን ከቀድሙ ኣይከኣሉን።

ሰልፊ ዕዮ ኣብ ጉባኤ "ዓዋተ" መሪሕ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ኣባላቱ እውን ንመትከል ዘተ ብጽንዓት ተኸላኺሎምሉ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ እውን ኣብ ግዜ ሰላም ይኹን ኲናት ምስቲ ምዕባለታት ክትዋሳእ ዘኽእል ውሳኔታት ምሕላፍ ይክእሉ ነይሮም። እዚ ግን ኣይተገብረን። እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ ሰልፊ ዕዮ ዝፈጸሞ ዘይምኹኑይ ጌጋ ኢዩ ነይሩ።

# 9. ምፍንጫል ያበላውያንን ምእዋጅ ውድቦምን

"ያበላውያን"፣ ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት፣ ካብቲ ብ25-9-1971 ኣዋጅ ዘውጽእሉ ዕለት ጀሚሮም ዘካየድዎ ምንቅስቓሳትን ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ምትራፎምን፣ በቲ ካብ 21-12-1971 ክሳብ 28-12-1971 ዘካየድዎ ናይቲ ምትእኽኻቦም ጉባኤ ተደምዲሙ። "ኤርትራዊ ሓይልታት ሓርነት - ያበል" ዝተሰመየ ውድቦም ድማ ኣዊጆም። ሓፈሻዊ ፖሊሲኦም ዘንጸር መግለጺ ድማ ኣውጺኦም። ጉባኤ ቅድሚ ምክያዶም ውሳኔታት ሃገራዊ ጉባኤ በጺሕዎም ከም ዝነበረ ድማ ንጹር ኢዩ።

እቲ ኣዋጅ ብዛዕባ ኣርባዕተ መሰረታውያን ጉድያት ኢዩ ተዛሪቡ። ቀጺልና እምባኣር ትርጉሙ ብዘይቅይር ጽማቑ ነቕርብ።

1. ኣብ ምፍንጫላት ዘለዎም ገምጋም ብዝምልከት፣
   **"እዚ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዘበታትን ዘሎ ምፍንጫለትን ፍልልያትን ብሰንኪ ገለ ባእታታት መሪሕነት ዝፈጸሞዎ ብዙሕን ተደጋጋሚን ጌጋታት ዝመጸ ኢዩ። እቲ ሽግራት ንተ.ሓ.ኤ. ካብ ነዊሕ ዘሳቐየ እኳ እንተኾነ፣ ንመስርሕ ሰውራ ናብ ሓደጋ ብዘውድቕ ኣገባብ ዝተጎሃሃረ ግን ካብ 1969 ክሳብ 1971 ኣብ ዘሎ ግዜ ኢዩ።"**
2. ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብዘይምስታፎም ዘቕረብዎ ምኽንያት፣
   **"ውዲታት ሰክረታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተነጺሩ ኢዩ። ሰክረታሪያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ በቲ ኮነ ኢለ እተካይዶ ዝነበረት ኣግላሊ ተግባራት ንዓናን ንሓፈሽ ህዝብን ናብ ዕጹው መገዲ ንምእታው ናብ ከፊላዊ ጉባኤ ትደፍኣና ከም ዘላ በሪሁልና። ስለዚ ድማ መርገጺና ብምንጻር ኣብቲ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተባህለ ንኸይንሳተፍ ወሲና።"**
3. ርእይቶኦም ኣብ ውሳኔታት ሃገራዊ ጉባኤ፣
   **"ውሳኔታትን ኣዋጅን ናይዚ ጭፍራ'ዚ ንሃገራዊ ሓድነትን ባህጊታት ሓፋሽን ዝጻረር ጥራይ ዘይኮነ፣ እዚ ጠንቃም ውሳኔታት'ዚ ንሰውራ ኤርትራ ናብ ዘሕዝን መደምደምታ ዘእቱ'ውን ኢዩ። እዚ ውሳኔታት'ዚ ንንጹሃትን ሃገራውያንን ባእታታት ንምቅንጻልን ንምውራድን ዝጽውዕ ኢዩ። ከምኡውን ንሃገራዊ ብርጌዋ ኣብ ጎኒ ጸላኢ ዝሰርዖ ኢዩ።"**
4. ሓፈሻዊ ፖሊሲታቶም ብዝምልከት፣
   **"ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካብ ቅኑዕ መንፈስ ተበጊሱን ሃገራዊ ሓድነት ብምጽውዑ ጉባኤ ደጊፉዎ። ከምእውን በቲ ንቀንጻሊ ውሳኔታት ዝወሰዶ ተቓዋሚ መርጋጺ ኣሞጉሱዎ።**
   - **ጉባኤኛታት ነቲ ቋንቋ ዓረብ ንምጥፋእ ዝወጸ ውሳኔታት ናይዚ ጭፍራ'ዚ ተቓዊሞሞዎ።**
   - **እቲ ኣብ መእተዊ ናይ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝተነጸረ ታሪኻውን ባህላውን ናይ ስልጣነን ምትእስሳር ህዝቢ ኤርትራ ምስ ዓረባዊ ዓለም ዝነጽግ መርገጺ ጉባኤኛታት ኮኒኖሞ።"**

ብድሕሪ'ዚ ጉባኤ ብ11 ኣባላት ዝቆመ መሪሕነት መሪጹ።[161]

ድሕሪ'ዚ ጉባኤን እቲ ልክዕ ቀዳሕ ናይቲ ብህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝወጽእ ዝነበረ ኣዋጃት ዝኾነ ኣዋጁን ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ንጡፍ ርክባት ተጀሚሩ። ነዚ ድማ ኣብ ዝቅጽል ክንርእዮ ኢና።

ጉባኤ "**የበል**"፡ ኩነታት ምኽያድ ሃገራዊ ጉባኤን ነፍሶም ካብኡ ንምፍላይ ዝነበሮ ኣገዳስነትን ዘምጽኦ ስማዊ ጉባኤ ኢዩ ነይሩ። ካብ ናይ 25-9-1971 ኣዋጅም ክሳብ ምኽያድ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ካብ ጉባኤ ዝተርፉ ኣባላት ጉባኤ ንምርካብን ንሓይልታት ባርካ መብዛሕትኦም ሓለፍተን ናብ ጉባኤ ምስ ከዱ ንምጽላወን ዘካየድዎ ጻዕሪታት ውጺኢት አይረኸብሉን። ዕላማኦም ንምርግጋጽ ድማ ጉባኤ ፈሺሉ ኢዩ እናበሉ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት ጽዑቕ ንጥፈታት የካይዱ ነይሮም። እንተኾነ ግን ዕድሎም ሕማቕ ኮይኑ፡ ጉባኤ ስርሑ ዕለት 14-10-1971 ከም ዝጀመረ ንኩለን ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ዝሕብር ብሰክረታሪያ ጉባኤ ዝተላእከ መልእኽቲ ኣብ ኢድ ሓለፍቲ ኣሃዱታት ነይሩ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ እውን እቶም ወከልቶም ናብ ጉባኤ ዝሰደዱ ተጋደልቲ ብድሕሪኦም እምነቶም ክልውጡ ይርኣዮም ኣይነበረን።

ኩሎም ወከልቲ ኣሃዱታት ግንባር ባርካ፡ መብዛሕትኦም ትማሊ "**የበላውያን**" ዝነበሩ፡ ሓደ ካብኦም ማሕሙድ ዲናይ ንጉባኤ ከይዶም። ምስኣታቶም ብዘይካ ዓሰርታታት ዝቁጸሩ ተጋደልቲ ዝተረፈ ኣይነበረን።

"**የበለውያን**" ምስ ምኽያድ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ዝተፈንጨሉ ምእዋጆም ኣንጻሮም፡ ብፍላይ ከኣ ብወገን ኣብ ባርካ ዝነበራ ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት፡ ሓድሽ ናይ ጽልኢ ማዕበል ፈጢሩ ኢዩ። ነዚ ተርእዮ'ዚ ገደብ ንምግባር ዝጽውዕ ድምጺታት ድማ እናላዓለ ከይዱ፡ ነዚ ዝድርኽ ዝነበረ ተወሳኺ ረቋሒ ድማ፡ እቲ ካብ ህ.ሓ.ሓ. ብመገዲ ዑመር ኣቡ ሸነብ እትምራሕ ጉጅለ ኣቢሉ ዝወሃቦም ዝነበረ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ኢዩ።

በቲ ኣንጻሮም ዝተፈጥረ ተጻባኢ ኩነታት ድማ "**የበላውያን**" "**ንባርካ ታሕታይ**" ገዲፎም ናብቲ ናይ መከላኸሊ ጎቦታት ዘሎዎ "**ባርካ ላዕለይ**" ከኸዱ ተገዲዶም። ካልእ ነዚ ምርጫ'ዚ ንክወስዱ ዘደፋፍኦም ረቛሒ ድማ መብዛሕትኦም'ቶም ምስኦም ዝነበሩ ደቂ'ቲ ቦታ ብምንባሮም ኢዩ።

ምኽያድ ሃገራዊ ጉባኤን ውሳኔታቱን፡ ብፍላይ ከኣ ተ.ሓ.ኤ ካብ ጉባኤ ሰሚራ ምውጻኣን፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ "**የበላውያን**" ቅልጡፍን ቀጣታውን ጽልዋ ነይሩዎ። ህዝብን ተጋደልትን ኣብ መሪሕነት ናይቲ ውድብን ተጋደልቱን ተፈንጫሊ ፖሊስኦም ገዲፎም ናብ ልቦም ንኽምለሱ ዓቢ ተጽዕኖታት ይገብርሎም ነይሮም። እዚ ኩሉ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዕላማታት መሪሕነቶም ምሉእ ንቅሓት ዘይነበሮም ተጋደልቶም ዝተፍላለየ ጽልዋታት ይገብር ነይሩ። እዚ'ዩ ድማ ኣብ መጨረሽታ ብዘይ ውግእ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ኢዶም ክህቡ ዝገበሮም።

---

161

ኣባላት መሪሕነት

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ኣሕመድ ኣደም ዑመር | ኣቦ መንበር | 7. ያሲን ኣልሓጅ | ኣባል |
| 2. ኣደም ሳልሕ ሸደሊ | ወተሃደራዊ ጉዳይ | 8. ህመድ (ኣልከብሊ) | ኣባል |
| 3. ዑስማን ሓሰን ዓጂብ | ፖለቲካዊ ጉዳይ | 9. ሳልሕ መ/እድሪስ (ኣቡዓጃጅ) | ኣባል |
| 4. ሙሓመድ ኣሕመድ እድሪስ | ፋይናንሰዊ ጉዳይ | 10. ሙሓመድ ኣደም ኣልሓጅ | ኣባል |
| 5. ሳልሕ ዑስማን ሽትር | ኣባል | 11. ኣሕመድ ኣደም ኣበከር | ኣባል |
| 6. ሳልሕ ጀምጃም | ኣባል | | |

# ምዕራፍ 13

# ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት፡ ቀዳማይን ካልኣይን(1971-1975)

## 1. ወተሃደራዊ ግጥም

**ምዕባለታት ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ ጉባኤ (ክሳብ 22 ለካቲት 1972)**

ድሕሪ ጉባኤ፡ ንተርእዮ "ተፈንጨልቲ" ገደብ ምግባር ኣብ ሞንጎ ኩሉ ውሳኔታት ጉባኤ ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ ምኽኒ ርዱእ'ዩ ነይሩ። ምስ ክልቲኡ ውድባት፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን "ያበል" ኣብ ዘተ ምእታው ሓደ ካብ ምርጫታት ኣይነበረን። ጉባኤ ብዛዕባ'ዞም ክልተ ውድባት ዘሕለፎ ውሳኔ ክልተ ትርጉም ክወሃቦ ዘይክእል ንጹር ኢዩ ነይሩ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ዝውሰኖ ናይ ግዜ መቃን፡ ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ብውሳኔታትን ፕሮግራምን ሃገራዊ ጉባኤ ክምእዘዙ ምጽዋዕን፡ እንተዘይ ተቀበሎ ከኣ መሪሕነት **"ሓድነት ውድብን ሰውራን ዘውሕስ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ"** ተወኪሉ።

ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ክልተ ጉዳያት ከነቅርብ ኢና። ቀዳማይ፡ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነቲ ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ብውሳኔታት ጉባኤ ንኽምእዘዙ ምጽዋዕ ዝብል ንምትግባር ዝወሰዶ ስጉምቲን ውጽኢቱን፡ ካልኣይ ከኣ እተን ዝምልከተን ክልተ ውድባት፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣንጻሮም ወተሃደርዊ ስጉምቲ እንተድኣ ወሲዱ ንኽወርዶም ዝኽእል ክሳራታት ንምፍኳሶን ህላወኦም ንምውሓስን ዝገበርዎ ምድላዋት።

**ቀዳማይ ጉዳይ፡-** መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንናይ መጸዋዕታ ውሳኔ ጉባኤ ንምትግባር፡ ምስ ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ተራኺቦም ናብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ንኽምለሱ ዝሕብርዎምን፡ ነዚ መጸዋዕታ'ዚ እንተ ድኣ ዘይተቀቢሎሞ ድማ ብዝስዕብ ሓደገኛ ሳዕቤን ዘጠንቅቅዎምን፡ ካብ ኩለን ኣሃዱታት ኮሚተታት ተጋደልቲ ኣቁሙ። እተን ኮሚተታት ድማ ካብ ታሕሳስ 1971 ክሳብ ጥሪ 1972 ምስ ተጋደልቲ ናይ ክልቲኡ ውድባት ኣኣብ ዝርከብሉ ቦታታት ተራኺቦም። ከምኡውን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ሽማግለታት ዓዲን ከባቢታትን ተመሳሰሊ ተራ ይጻወቱ ነይሮም።

ቀዳማይ ዕማም ናይተን ኮሚተታት፡ ጉባኤ ዘሕለፎ ውሳኔታትን ፕሮግራምን ምግላጽን፡ እዚ ኸኣ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደ ቃልሲታት ዝመጸ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ምዃኑ ምግላጽን፡ ተርእዮ ምፍንጫል ቅድሚ ምስፍሑ ገደብ እንተ ድኣ ዘይተገይርሉ ዝስዕቦ ሓደገኛነትን ዘማኽኖ ዓቅሚን ምብራህን ኢዩ ነይሩ።

ብወገን ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ዝተራኣየ መርገጺ ምስተን ዝተላእኻ ኮሚተታት ኣብ ክትዕ ዘይምእታው ኢዩ ነይሩ። ክትዕ ኣብ ዝካየደሉ ኩነታት እውን መኻን ሰለዝኸውን ቀልጢፉ ኢዩ ናብ ዕጹው መገዲ ዝበጽሕ ነይሩ። እቲ ርክባት ብወገን ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ናብ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ምዝዛው ወይ ምምላስ እኳ እንተዘየረጋገጸ፡ ፍጹም ውጽኢት ዘይነበሮ ግን ኣይኮነን ነይሩ።

- *ብወገን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡ ገለ ተጋደልቲ ምስ ብረቶም ብውልቂ ተመሊሶም ኢዮም። ይኹን'ምበር እቲ ዝዓብየ ተርእዮ ናይ ምምላስ፡ ሽሞንተ ተጋደልቲ ብመሪሕነት ዑስማን* (በርደለብ) *ኩሎም ከላሽንኮፍ ዝዕጠቑ ብሓባር ናብ ተ.ሓ.ኤ. ምምላሶም ኢዩ። "በርደለብ" ሓደ ካብቶም ድሕሪ ጉባኤ "ዓዋተ" ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝተጸንበሩ ኢዩ ነይሩ።*
- *እንተ ብወገን "የበላውያን"፡ እቲ ቀንዲ ዘጋጠሞም፡ ዝያዳ ተጽዕኖን ተነጽሎን ኢዩ ነይሩ። ብፍላይ ዓበይቲ ዓድን ሽማግለታት ከባብን ዓድን ብውሳኔታት ጉባኤ እንተ ድኣ ዘይተማእዚዞም ከገድፍዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ክምክትዎም ምኳኖም ኣብ ቅድሚኦም ብግልጺ ይሕብርዎም ነይሮም።*

*ኮሚተታት ተጋደልቲ ተመሊሶም ኣብ ዝቐረብዎ ጸብጻባት፡ እቶም ኩሎም ዝተራኸብዎም፡ ብዛዕባ ውጽኢት ሃገራዊ ጉባኤ ምምይያጥ ከም ዝኣበይዎምን ነቲ ሒዞምሎም ዝመጹ ውሳኔታት ጉባኤ ኣይንርእዮን ኢና ከም ዝበልዎምን ብምሕባር፡ ጉዳይ ናይተን ክልተ ውድባት ብወተሃደራዊ መገዲ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክፍታሕ ተላብዮም።*

*ከምዚ ዝኣመሰለ ርክባት፡ ወሳኒ ፍታሕ ከምጽእ ከም ዘይክእል ንመራሕነት ተ.ሓ.ኤ. ሕቡእ ኣይነበረን። ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ክልተኦም ውድባት፡ ሰውራ ኤርትራ ንምዕብላል ካብ ዘለዎም ድሌት ተበጊሶም ኣብ ወገናዊ ኣገባብ ዝተሰረቱ ምኳኖም ናይ ብዙሓት ዓሚቍ እምንት ኢዩ ነይሩ። ዝምድና ናይ ክልቲኦም ውድባት ምስ ዑስማንን እድሪስን ድሕረ ባይታኦምን ድማ ነዚ ሓቒ'ዚ ዘረጋግጽ ኢዩ። ስለዚ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ምትእስሳር ኣብ ቋሕ-ሰም ፋሕ-ብትን ክብል ክትጽበ ዝከኣል ኣይነበረን።*

***ካልኣይ ጉዳይ፦*** *ክልቲኡ ውድባት ድሕሪ ሃገራዊ ጉባኤን ውሳኔታቱ ምርኣዮምን ቀዳማይ፡ ኪዶኖም ኣብ ምድልዳል፡ ካልኣይ ድማ፡ ህላወኦም ንምውሓስ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስግምቲታት ኣብ ምውሳድን ኢዮም ኣተኵሮም።*

- *"ዓበላውያን"፡ እቶም ዝደኸሙ ኮይኖም፡ ምስ ዕብየቶም ዝሳነ ህጹጽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ካብቲ ዝሓየለ ማሓዝኦም ብመገዲ ዑመር ኣቡ'ሽንብ*[162] *መጺኡዎም ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ህላወኦም ንምውሓስ ኣብቲ ብደቡብን ምብራቕን ብሰንሰለታዊ ኣኽራናት ዝተኸበ ባርካ ላዕላይ ኢዮም ተዓቍቦም። እንተኾነ ግን ክሳብ ለካቲት* 1972 *ቁጽሮም ካብ* 40 *ተጋደልቲ ዘይሓልፍ ስለዝነበረ ንተጋደልቶም ንምቅሳን ካብ ህ.ሓ.ሓ. ሓጋዚ ሓይሊ ይመጾም ከም ዘሎን ኣብ መገዲ ከምዝርከብን ኣምሲሎም ይዛረቡ ነይሮም።* (*ብልክዕ እቲ ሓገዝ መጺኡ ኢዩ፡ እንተኾነ ግን ግዜ ምስ ሓለፈ ኢዩ መጺኡ፡ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ ድማ ክንርእዮ ኢና*)
- *እንተ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ወጻኢ ዘካይዶ ዝነበረ ንጥፈታት ንውሳኔታት ሃገራዊ ጉባኤ ምጥቃዕን፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ብደማዊ ውሳኔታት ምግላጹን ኢዩ ነይሩ። ብወገን ሜዳ፡ ቀንዲ ኣተኩሮኦም፡ ኵናት እንተ ድኣ ኣጋጠሙ ዘውሕሶምን ንናዊሕ ግዜ ጽኒዮም ክዋግእሉን ዝኽእሉ ቦታታት ኣብ ምውሳን ኢዩ ነይሩ። በዚ ድማ ከም ድሕሪ መስመር ክዕቆብሉን ክዓርድሉን ዝመረጽዎ ሰሜናዊ ሳሕል ነይሩ። ስለዚ ከኣ ንዝተናውሐ ኵናት ከካይዶም ዝኽእል ካብ ወጻኢ ዝመጹም ዕጥቂን ስንቂን ክኽዝንሉ ጀሚሮም።*

---

[162] *ዑመር ኣቡ'ሽንብ ንብሎ ዘሎና፡ እቲ ኣብ ሻብዓይ ምዕራፍ ሓደ ካብ መራሕቲ ባንዳ ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ሰራየ ዝነበረ "ግርማይ ጊላጋብር" ዝተባህለ ዑመር ኣቡሽንብ መሲሎም ርእሲ ናይ ሓደ ተጋዳላይ ቆሪጹ ናብ መንደፈራ ዝወሰዶ ኢዩ.*

## 2. ውሳኔ ቅንጸላ

*ቀንዲ ትሕዝት ናይቲ ውሳኔ እዚ ዝስዕብ ነይሩ፣*

***"ሰውራዊ ባይቶ ብ22/2/1972 ኣብ ዝካየዶ ኣኼባ ኣብቲ ንኣዕነውቲ ባእታታት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምቕንጻል ብፈጻሚት ሽማግለ ዝቐረበሉ ህጹጽ ለበዋ ተመርኲሱ፣ ጸረ ሰውራ ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ክቕንጸል ወሲኑ። ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ውሳኔ'ዚ ዝወሰዶ፣ ነቲ ብሰንኪ ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ ጸረ ሰውራ ባእታታት ሃገራዊ ሓድነት ህዝብና ንምብታን ድሑር ቀቢላውን ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ስምዒታት እናመዝመዙ ኣብ ልዕሊ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ዝፈጠርዎ ፍንውንትን ሕማቅ ምሕደራን ገደብ ንምግባር ኣብቲ ንመርሕነት ሰውራ ምሉእ ሓለፍነት ዝሃቦ ውሳኔታት ሃገራዊ ጉባኤ ተመርኲሱ ኢዩ። እቲ ክቕንጸል ዝድለ ዘሎ ጸረ ሰውራ ዝተባህለ ሓይሊ ድማ፣***

***- ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዝተባህለን፣***

***- ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ብመሪሕነት ኣርባዕተ ኣባላት ጠቕላሊ መሪሕነት ነበር ዝተባህለን ኢዮም።"***

*ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ውስን'ዚ ብሰፊሕ ኣብ ዝተዘርግሐ ኣዋጅ ኢዩ ገሊጹዎ።*

*እምባኣርከስ፣ ዝለዓለ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ልዕሊ ክልቲኡ ውድብ ኲናት ከእውጅ ከሎ፣ ናይቲ ውሳኔን ስዕቤናቱን ሓላፍነት ካብ ምስካም ይፈርሕ ኣይንበረን። ዝኾነ ኣብ ዓበይቲ ጉዳያት፣ ከም ኲናት ዝኣመሰለ ውሳኔታት ኣብ ምሕላፍ እውጅ ዘይገብሮን ብሕቡእ ዝፍጽምን መሪሕነት ብሓቃኛነት መርገጺኡ ስለዘይተኣማመንን ታሪኽ ኮይኩንኖ ስለዝፈርሕን ኢዩ። እንተኾነ ግን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብቲ እዋን'ቲ ብሓቀኛነት ውሳኔኡን ዝወሰዶ ስጉምቲን ምሉእ ምትእምማን ነይሩዎ። ድሕሪ ጉባኤ ዓዋተ ኣፍደገ ዘተ ምስ ተዓጽወን ምስቶም ክልተ ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ውድባት ዝነበሮ ዝምድና ኣብ ጫፍ ናይ ውግእ ምስ በጽሐን፣ ጉዳይ ኲናት ንጹር ኢዩ ኮይኑ። በዚ ድማ፣ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዝመርጹሉ ግዜ ክጀምርዎ ከም ዝኽእሉ ርዱእ ነይሩ። ብሓጺሩ እቲ ኩነታት ናይ ኲናት ኩነታት ምዃኑን ኣብ ዘይተፈልጠ መዓልቲ ክውላዕ ከም ዝኽእልን ኩሉ ምልክታት ዘረጋግጾ ዝነበረ ኢዩ።*

*መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. በቲ ውሳኔ ንሰራዊት ሓርነት ንምዕጋብን ምድላውን ተወሳኺ ግዜ የድልዩ ኣይነበረን። ኣሃዱታት ሰራዊትን መራሕተንን ካብቲ መራሕነት ንላዕሊ ንመኸተ ድሉዋት ነይሮም። እኳ ድኣ ብዙሓት ካብ መራሕቲ ስራዊት፣ መሪሕነት ነቲ ካልእ ገጽ ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ምትግባር ይዕጠጢ ከም ዘሎ ገይሮም ይግምቱ ነይሮም። እቶም መራሕቲ "ያበል" ንሽኹነኑን ኣንጻሮም ስጉምቲ ንኽውሰድን ዝጠለብ ጽሑፍ ናብ ጉባኤ ዘቕረቡን፣ ኣብ ቅድሚ ጉባኤኛታት ጽሑፎም ዝተነበን ወከልቲ ሓይልታት ባርካ፣ ብዘይካ ነቲ መሪሕነት ናብቲ ዝዓገቡሉ ምድፋእ ዝኾነ ካልእ ምርጫ ክወስዱ ዝካኣል ኣይነበረን። ብዕድሚኦም ንእሽቱ ዘይኮኑ መራሕቲ፣ እኳ ድኣ ኣብ ሰውራ ነዊሕ ተመኩሮ ዘለዎም ከምኒ ሓጅ ሙሳ ዓሊ፣ ሓደ ካብ መራሕቲ ሓይልታት ባርካን ሓምድ መዝረት መራሒ ናይታ ኣብ ሳልሕ ትነጥፍ ዝነበረት ሓይሊ 501 ኣብ ጉባኤ ዓዋተ ንዘተ ተኸላኺሎም ካብቅዑ፣ ናብ ተሪር መረጋጺ ተለዊጦም፣ ሜዳ ኤርትራ ካብ ተርእዮ ምፍንጫልን መገብቱን ናጻ ኮይኑ ዝርእዩሉ መዓልቲ ክሓልሙ ክትርኢ ከሎኻ ፍሉይ ትርጉም ዘሎዎም ምዕባለ ናይ መርገጺታት ኢዩ ነይሩ።*

## ምትግባር ውሳኔ

### ሓፈሻዊ ሓበሬታታት

- ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካብ 400 ክሳብ 500 ተጋደልቲ ዝግመት ቁጽሪ ነይርዎ። ስሩዕ ኣሃዱታት ብሰለስተ ሓይልታት (ቅጣዕ) ዝቆመ ኾይኑ፡ ነፍሲ ወከፈን ኣስታት 120 ኣባላት ነይሩዎ። ብዘይካ'ዚ ድማ ዝተፈላለየ ክፍልታት ነይረን። እዚ ሓይልታት'ዚ ድሕሪ ጉባኤ "ሶዶሓዒላ" ናብ ክልተ ብዐማሮን ኣቡጥያራን ዝፍለጥ ክንፈታት ተመቃቂሉ ከብቅዕ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ግን ኣብቲ ብሓምለ 1971 ኣብ "እምባሃራ" ዝገበርዎ ናይ ሐባር ኣኼባ ሰሚሮም። ኣቡጥያራ ኣብታ ባርካ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሓሉን ምስ "ያበል" ዝተራኸበሉን እዋን፡ ቀንዲ ካብ ሱዳን ተጋደልቲ እናምጽአ፡ ነቲ ኣብ መስከረም 1970 ኣብ ባርካ ክመጽእ ከሎ ውሑድ ዝነበረ ቁጽሪ ኣሃዱታቱ ኣታዓጻጺፉዎ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ክንፊ እውን እንተኾነ ነቲ ካብ ደንከል ናብ ሰምሃርን ሳሕልን ሒዙዎ ዝመጸ ዓቅሙ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ገለ ሓደስቲ ብምስላፍን ካብ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ንገለ ብምስዳዕን ከም ዝተዓጻጸፍ ገይሩዎ ኢዩ። እንተ'ቶም "ንባርካ ላዕላይ" ከም ደጀኖም ዝመረጹን ብናኣሽቱ ጉጅለታት ዝንቀሳቐሱን ዝነበሩ ኣሃዱታት "ያበል" ካብ 40 ተጋደልቲ ዝሓልፉ ኣይነበሩን።
- ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ድማ እተን ድሕሪ ምትሕንፋጽ ዝቆማ 23 ሓይልታትን ጉጅለታት ፈዳይንን ክኾና ከለዋ፡ ብሰንኪ'ቲ ውድብ ዝሕለፎ ናይ ምፍንጫል ኩነታት፡ ቁጽሪ ኣሃዱታት ኣንቆልቊሉ ኢዩ።

ኣሃዱታት ሸዕብያን ያብልን ዳርጋ ኩለን ዘመናዊ ኣጽዋር ቀንዲ ካብኡ ከላሽንኮፍ ዝዓጠቓ ክኾና ከለዋ፡ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ግን ብቁጽሪ እኳ ብዙሓት እንተ ነበራ፡ ብዕጥቂ ግን ድኹማት ነይረን። ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ሓይሊ ሓደ ካላሽንኮፍ ገለ ከም ሴማኖፍ ዝኣመሰለ ጥራይ ኢዩ ነይሩ።

### ውጥን ቅንጸላ

እቲ ናይ "**ቅንጸላ**" ውጥን፡ ቀንዲ ኣብ ቅልጡፍን ሓያልን ስርሒት ብዝወሓደ ክሳራ ነቲ ዕላማ ከረጋግጽ ዝኽእል ከበባን ዝተመርኮሰ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ተጻራሪ ዝነበሮ ናይ ዕጥቂ ጸብለልታን ተ.ሓ.ኤ. ዝነበራ ናይ ብዝሒ ጸብለልታን ኣብ ግምት ብምእታው፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዓቢ ትጽቢት ገይርሉ ዝነበረ ብወገን ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ዝበለጸ ድልውነት ንውግእ ኢዩ።

## መስርሕ ስርሒታትን ውጽኢቱን (ክሳብ 27-4-1972)

- **ወገን ያበል**፡ ህላወ "**ያበላውያን**" ኣብ ሓጺር ግዜ ብዘይ ዓቢ ክሳራ ኢዩ ተደምሲሙ። ገለ ኣባላት መሪሕነትን ምስኦም ዝነበሩ ኣስታት 20 ዝኾኑ ተጋደልቲን ምሸት 29/2/1972 ኣብ "ቢሻ" ዝተባህለ ቦታ ኣብ ከበባ ኣትዮም። ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ድማ ኩሎም ብዘይ ኵናት ኢዶም ሂቦም። ኣብዚ ጉጅለ'ዚ ካብ መራሕቲ "ያበል" ሰለስተ፡ ኣሕመድ ኣደም ዑመር፡ (ኣቦ መንበር) ኣደም ሳልሕን (ሓላፊ ወተሃደራዊ ጉዳያት) ማሓመድ ኣሕመድ እድሪስን (ሓላፊ ፋይናንስ) ነይሮም። እተን ዝተረፉ ኣብ "ባርካ ላዕላይ" ዝነበራ ኣሃዱታት "ያበል" ድማ ድሕሪ ሓንቲ ኵናት ብ10-3-1972 ኢደን ሂበን። ኢዶም ክህቡ ዝኸኣሉ ድማ ብመገዲ ህዝቢ ዝተገብረ መንጎኛነት ኣብ ዝተኻየደ ዘተ፡ ተ.ሓ.ኤ. ብዝሓለፈ ክትተሓሳሰቦም ከምዘይኮነትን ከም

ተጋደልቲ ኣብ መስርዕ ተ.ሓ.ኤ. ከም እትቅበሎምን ምስ ኣረጋግጸትሎም ኢዩ።

- **ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት፡** ኣብቲ ኣንጻር "**የበላውያን**" ስርሒት ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን፡ መሪሕነት ሻዕብያ ኣንጻር "**የበላውያን**"፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ባርካ ወተሃደራዊ ስጉምቲ እንተ ድኣ ወሲዱ ብሓባር ንምምካት ሓይሊ ክልእኽ ከም ዝወሰነ ተፈሊጡ። እታ ሓይሊ ድማ ብመሪሕነት ኣባል መሪሕነት ኣቡበከር፡ ድሮ ኣብ ባርካ ሓንቲ ጉጅለ ናይ ሻዕቢያ ኣቑሙን ናይ ምውህሃድ ተራ ምስ "**የበላውያን**" ዝጻወት ዝነበረን ሙሓመድ ሓሰንን መራሒኣ ኣልሓሰን ሙሓመድ ኣቡበከርን ዑመር ኣቡሽነብን ካብ ኣቑርደት ብወገን ሰሜን ኣብ ዝርከብ "**ራህያ ዓባይ**" ዝተባህለ ቦታ ብ12-3-1972 በጺሓ። እንተኾነ ግን እቶም ንኽሕግዝዎም ኢሎም ዝመጹ "**የበላውያን**" ኢዶም ከም ዝሃቡ ምስ ፈለጡ ሽዑ መዓልቲ ተመሊሶም። ይኹን'ምበር እታ ሓይሊ መራሒኣን ዑመር ኣቡሽነብን ገዲፎምዎ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ስለዝተጸንበሩ ንዕኦም ከሲራ ኢያ ተመሊሳ።

ኣንጻር ህ.ሓ.ሓ ዝተካየደ ናይ መጀመርታ ዓቢ ኵናት ብ16-3-1972 ኣብ ሰምሃር "**ማይኡለ**" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን ኣብ ሰምሃር "**ገርሲለን**" "**ዒንን**" ኣብ ዝተባህለ ቦታታት ብ18፡19 መጋቢት ቀጺሉ። ብድሕሪዚ፡ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ናብቲ ከም ደጀኖም ዝመረጽዎን ገለ ካብ ኣሃዱታቶም ዝሕልውኦ ንብረቶም ዘቐመጥሉን ስሜናዊ ሳልሕ ኢዮም ብቅልጡፍ ኣዝሊቆም። ኣብኡ ድማ ኣብ "**ተብሕን**" "**ዓይተራን**" ካልእን ቦታታት ኵናት ቀጺሉ። ብመሰረት ነዚ ሕጥቦ'ዚ ወሲናዮ ዘሎና ዕለት ድማ እቲ ናይ መጨረሽታ ኵናት ዕለት 27-4-1972 ኣብ "ዓየት" ኢዩ ነይሩ።

## ገምጋም ኣንጻር ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ ዝተኻየደ ስርሒታት

መኸተ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ክሳብ'ዚ ዝወሰናዮ ዕለት ኣመና ድኹም ኢዩ ነይሩ። ምስ ዕብየቱን ዕጥቁን ዝዳረግ ኣይነበረን። ኣብቲ መኸተ ናይ ሃንደበትነት ረቛሒ ኣይነበረን። ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓን መራሕተንን ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ ይጽበዩ ነይሮም ኢዮም። ነቲ ዕማም ክትግብሩ ዝተመዘዛ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ሓሙሽተ ሓይሊን ክልተ ጉጀለታት ፈዳይን ክኾና ከለዋ፡ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ መጋቢት ድማ ሰለስተ ጉጀለታት ተደሪበንኣን። ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ኣረጊት ዕጥቂ ዝዓጠቁ ኣስታት 650 ዝኾኑ ኢዮም ነይሮም። ጉጀታት ፈዳይን ግን ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ካብ 7 ክሳብ 8 ዝበጽሓ ከላሽንኮፍ ዓጢቃ ነይራ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ምስ ብዝሓንን ዕጥቀንን ዝዳረግ ኵናት ክካይዳ ከም ዘይክእላ ብሩህ ኾነ። ስለዚ ከኣ፡ እቲ ዝኽተልዎ ዝነበሩ ኣገባብ ኵናት ኣብ ውሑስ ጎቦታት ምጽጋዕን ነብሰ ምክልኻልን ኢዩ ነይሩ።

ልክዕ'ዩ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብቲ መጀመርታ ኣብ "**ማይኡለን**" "**ገርሲለን**" ዝተኻየደ ውግኣት ገለ ጽንዓት ኣርእየን ኢየን። ኣብ መሳርዕ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ክሳራ ኣውሪደን ኢየን። እንተኾነ ግን ኣብቲ ዝቀጸለ ውግኣት ነዚ መንፈስ ናይ ውግእ ኣይዓቀባን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ግምት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ጉዳይ ምስላምን ምብትታንን ናይተን ኣሃዱታት ገለ ግዜ ይወስድ እምበር ከም ውዱእ ነገር ዘርኢ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕግበት'ዚ ዝያዳ ዘራጉድ ድማ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ሓደስቲ ተሰለፍቲ ክረኽባሉ ኣብ ዘይክእላ ከባቢ ምሕጻረን፡ ነቲ ብቀጻሊ ዘጋጥመን ምጉዳል ዓቕሚ ሰብ ክትክእን ስለዘይክእላን ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ኣርባዓ መዓልታት ወተሃደራዊ

ኩነታት ናይ ኣሃዱታት ክሳብ ክንዲዚ ምንቁልቃሉ፡ ብዝያዳ ንስዕረቶም ዝሕብር እምበር ናይ ምህላውን ምቅጻልን ረቛሒታቶም ዘረድእ ኣይነበረን።

## ወሳኒ ኵናት "ደምቦብየት" (29-4-1972)

ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ንረብሓ ህ.ሓ.ሓ. ሓድሽ ባእታ ኣብቲ ኵናት ኣትዩ። እዚ፡ ኣሃዱታት **"ጉጅላ ዓላ"** ንመጀመርያ ዝተሳተፍዎ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ህ.ሓ.ሓን ኣብ **"ደምቦብየት"** ሰሜንዊ ሳሕል ዝተኻየደ ኵናት'ዚ ብ29-4-1972 ኢዩ ተኻይዱ። እቲ ኵናት ኣብ መንጎ እቲ ዝሓለፈ መድረኽን ብድሕሪኡ ዝመጸን ፈላዪ ነጥቢ መቐይሮ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኵናት ካብቲ ቅድሚኡ ዝተኻይደ ውግኣት በቲ ዝወሰዶ ንውሓት ግዜ፡ ምሉእ መዓልቲ፡ ጥራይ ዘይኮነ ዝፍለ፡ በቲ ናይ ኵናት ድልውነት እውን ዝተፈልየ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ኵናት'ቲ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ውግኣት ዘይነበረ ሓድሽ ዓይነት ድልውነት ናይ ኵናት ተራእዩ። እዚ ናይቶም ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ወተሃደራውያን መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ ገምጋም ኢዩ። ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ውን ኣይነበረን። ከምዚ ኢሉ ድማ እቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ክድምደም ተገሚቱ ዝነበረ ኵናት፡ ካብቲ ዕለት እቲ ከም ዝናዋሕን ዝሕይልን ዝሕብር ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣትዩ።

## ጉጉይ ግምታት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ህ.ሓ.ሓን ተወሊዑ ዝነበረ ኵናት ምስታፍ **"ኣሃዱታት ዓላ"** ገሚቱዎ ኣይነበረን። ነዚ ዘረድእ ሓባሬታታት እውን ኣይነበሮን። እዚ ጉጅለ'ዚ ብዝኽተሎ ዝነበረ ምስጢራዊ ምንቅስቓስን ምስ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዘይምትሕውዋሱን ብዛዕባኡ ኣዝዩ ውሑድ ሓበሬታታት ኢዩ ነይሩ። እቲ ዝነበረ ሓበሬታ እውን እንተኾነ ኣንጻር እቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ዝእምት ኢዩ ነይሩ። ክርስትያን ባእታታት ንህ.ሓ.ሓ ገዲፎም ናብ **"ጉጅለ ዓላ"** ምጽባሮም ከምኒ'ቶም ኣብ ጉባኤ "ሶዶሓዒላ" ዝተመርጹ ስለስተ ኣባላት መሪሕነት መስፍን ሓጎስ፡ መሓሪ ደበሳይን መዓሾ እምባየን ዝተፈልጠ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ከምኡውን ክልቲኦም ወገናት ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ዝተቐራረበ ከባቢታት ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብሓባር ነይሮም ከብቅዑ፡ ኣብ መንጎኦም ፖለቲካዊ ይኹን ወተሃደራዊ ናይ ሓባር ስራሕ ኣይነበረን።

ሰለዚ ድማ፡ እቲ ጉጅለ ኣብቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝካየድ ዝነበረ ቁርቊሳት፡ ብፍላይ ናብ ደረጃ ወተሃደራዊ ግጥም እንተድኣ ማዕቢሉ፡ ሻራ ናይ ዘይምሓዝ መረገጺ ክወስድ ኢዩ ዝብል ግምት ኢዩ ነይሩ። እኳ ድኣ **"ጉጅለ ዓላ"** ካብቶም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝቓወሙ ዝነበሩ ሓይልታት ንላዕሊ ንላዕለዋይ ባይቶ ብምጽራሩ ዝፍለጥ ሰለዝነበረ፡ ምስ ሓደ ምስ ዑስማን ታሪኻዊ ምትእሳር ዝነበሮ፡ እኳ ድኣ ዑስማን ባዕሉ ዝመሰረቶን ዝኣልዮን ወገን ክሳብ ናብ ደረጃ ወተሃደራዊ ኪዳን ዝበጽሕ ዝምድና ይገብር ኢዩ ዝብል ሓሳብ ኣይነበረን።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ባይታ ዝነበረ ሓቂታት ድማ፡ ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ጉዳይ ናይዚ ጉጅለ'ዚ ምስ ሕቶ ሃገራዊ ሓድነት ስለዝተኣሳሰሮን ብዛዕባ **"ሽግር ክርስትያን"**ን ኣፈታትሓኡን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ቀጻሊ ክትዕ ዝካየደሉ ዝነበረ ጉዳይ ብምንባሩን፡ እዚ ኩሉ ነቲ እዚ ጉጅለ'ዚ ንባይኑ ክሰርሕ እምበር እንደገና ኣብ ሓድሽ ሽግር ከውድቆ ዝኽእል ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ናብ ሓባር ስራሕ ኣይኣቱን ንዝብል ግምት ዘራጉድ ኢዩ ነይሩ።

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ካብዚ ግምታት'ዚ ተበጊሱ፡ ናብ ሳሕል ብምኻድ ክመጽኡ ዝኽእል ሓደጋታት ንምዕጋት ኣብ ልዕሊ'ቲ ጉጅለ ዝኾነ ይኹን ጥንቃቐታት

ኣይገበረን። ኵናት “ደምቦብየት” ግን ነቲ ኩሉ ዝጸንሐ ግምታት ውዱቅ ገይሩዎ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ድማ፡ ነቲ ኩነታት ዝሓላልኽ ሓድሽ ክውንነት ክገጥም ግድን ኮኖ። እቲ ኵናት ንመደብ “ቅንጸላ” ናብ ሓድሽ መድረኽ፡ ምናልባት እውን ካልኣይ መድረኽ ክንብሎ ንኽእል ካብ “ደምቦብየት” ክሳብ ላካቲት 1973 ዝዝርጋሕ ኣሰጋጊሩዎ።

# 3. ሓባራዊ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን

እዚ ኣኼባ'ዚ፡ ካልኣይ ምክትል ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶን ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈትን ብዝገበሮ ዕድመ መሰረት ኢዩ ካብ 8-12 መስከረም 1972 ተኻይዱ። እቶም ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ኣቦ መንበርን ቀዳማይ ምክትልን ዝርከብዎም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ኣብቲ ኣኼባ ኣይተሳተፉን። ስለዚ ከኣ “**ኣብ ሜዳ ናይ ዘለው ሓባራዊ ኣኼባ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን**” ተባሂሉ። እቲ ኣኼባ ንውሽጣውን ኣህጉራውን ኩነታትን ኩነታት ጸላኢ ኢትዮጵያን ዝገምገመሉ ኣዋጅ ኣውጺኡ። እቲ ንዓና ዘገድሰና፡ እምባኣር ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታት፡ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ “**ምቅንጻል ጸረ ሰውራ**” ዝገበሮ ገምጋምን መርገጺኡን ኢዩ።

- ብዛዕባ ብህሪ ናይቲ ኵናት ኣመልኪቱ እቲ ኣዋጅ ዘስፈሮ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ። **“ምስ ጸረ ሰውራ እነካየዶ ዘሎና ኵናት፡ ኣብ መንጎ'ቲ ፕሮግራምን ውሳኔታትን ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ዘጽደቐ ሰውራዊ ኣተሓሳስባን ኩሎም ውግናት ጸረ ሰውራ ኣብ ባይታ ዝትግብርዎን ዘንጸባርቅዎን ኣድሓርሓርን እንዳውን ሃይማኖታውን ቀቢላውን ስነ ሓሳብን ዝካየድ ፖለቲካዊ ኵናት ኢዩ። እዚ ኣድሓርሓሪ ኣተሓሳስባ'ዚ ሓደ ካብቲ ጸላኢ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምቅንጻል ዝውጥኖ ቀንዲ ፖሊስታቱ ስለዝኾነ፡ እነካይዶ ዘሎና ኵናት ዘይፍለ ኣካል ናይቲ ኣንጻር ጸላኢን መጋበርያታቱን እነካይዶ ኵናት ኢዩ። መራሕቲ ጸረ ገድሊ ድማ ብድሕሪት ዝዓረዱ ኣካል መግዛእታዊ ሰራዊት ኢዮም። እዚ ሕጂ ዘሎ መሪሕነት ጸረ ገድሊ ፍጹም ከይጠፈአ ከኣ እንካይዶ ዘሎና ኵናት ንረብሓ ሰውራ ክዛዘም ኣይክእልን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ውድባት ጸረ ሰውራ ዝቆምሉ መሰረትን ንኽቅጽሉዎ ዝሕግዞም ዘሎ ወድዓዊ ረጃሒታትን ቍጣባዊ ድሕረት ኩነታት ሕብረተሰብናን፡ ትሑት ንቅሓት ሓፈሻ ህዝብናን ስለዝኾነ። እዚ ጠንቁ መግዛእቲ ዝኾነ ድሕረት'ዚ ድማ፡ ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽን ንረብሓ ሓፋሽ ቍጠባ ብምምዕባልን ንቁሕ ሰውራዊ ባህሊ ብምዝርጋሕን ኢዩ ዝጠፍእ።”**
- ብዛዕባ ወተሃደራዊ ኩነታትን ኣብኡ ዝወሰዶ መርገጽን ኣመልኪቱ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ በለ።

**- “ጸረ ሰውራ ወተሃደራዊ ህላወኡ ካብቕዐ ተቃሪብሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ሓይሉ መሊሱ ንሰውራ ከም ብሓድሽ ንምጥቃዕ ክኽእል ምእንቲ ህለወኡ ንምውሓስ ዝተፈላለየ ፈተነታት የካይድ ኣሎ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ድማ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳያት ዝተፈላለየ ኣገባባት ይኽተል ኣሎ።”**

**- “ጸረ ሰውራ ንምቅንጻል እንኸተሎ መትከል ከም ዘይልወጥ ድማ በዚ ኣዋጅ'ዚ ነረጋግጸልኩም።”**

ኣብቲ ዝቐረበ ክልተ ነጥቢታት እዚ ዝስዕብ ትዕዝብትታት ኣሎና ።

- ብዛዕባ ባህሪ ናይቲ ኵናት ኣብ ልዕሊ'ቶም ክቅንጸሉ ዝድላዩ ሓይልታት፡ ብፍላይ ከኣ'ቶም ክልተ ውድባት፡ ናይ ቃላት ትሪ ገዲፍካ፡ ካብቲ ናይ ቅድም መሪሕነትን ሓይልታትን ተ.ሓ.ኤ ገምጋማት ዝተፈልየ ሓድሽ ነገር የብሉን።

ሰለዚ ድሕረ ባይታ ናይቲ ፍልልያትን ዝቐርብ ዝነበረ ክሲታትን ተጻራሪ ክሲታትን ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝኣክሎ ትንቲናዮ ስለዝኾና ኣብዚ ንውስኽሉ ሓድሽ ነገር የለን።

- ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ካልኣይ ነጥቢ፡ ኣዋጅ **"ጸረ ሰውራን"** ወተሃደራዊ ህላወኡን ከብቅዕ ቀሪቡ ከም ዘሎ ኢዩ ዝሕብር። እዚ ኸ ክሳብ ክንደይ ኢዩ ሓቅነቱ?

ኣብ ቅድሚ'ቲ ናይ ሓባር ኣኼባ ዝሰፍሐ ክፍሊ ሕብረተሰብን ተጋደልትን ካልኣት ዝዛረብሉን ብዛዕባ ኩነታት ናይቲ ቁርቁስ ሓፈሻዊ ሓበሬታታት ነይሩ ኢዩ። እቲ ሓበሬታታት ከኣ እዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

**ቀዳማይ፡-** ኣብ በይሩት ምስ **"ኣማና ዓማ"** (ዑስማን) ኣብ ለካቲት 1972 ኣኼባ ተኻይዱ ከምዝነበረ፡ ኣብቲ ኣኼባ ካብ ሜዳ ወከልቲ መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት **"ጉጅለ ዓላን"** **"ያበልን"** ተሳቲፎም ከምዝነበሩ፡ ሰለስቲኦም ወገናት ኣብቲ ተወሊዑ ዝነበረ ኵናት ብሓባር ክመክቱ ከምዝተሳማምዑ ፍሉጥ ነይሩ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብድሕሪ'ዚ ኪዳን'ዚ ምንባሩ ፋልይ ትርጉም ነይሩዎ። ዑስማን ኣብቲ እዋን'ቲ ብሰንኪ እቲ ዝምርኮሰሉ ዝነበረ ሓይሊ ሓደገኛ ጥፍኣት ምቅላዑ ብቡርቱዕ ይጸልዎ ነይሩ። ሰለዚ ድማ እቲ ሽዑ ዘቆምዎ ኪዳን ንዕኡ ሓሊሙዎ ዘይነበረ ሓድሽ ተስፋ ዝሃቦ ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ትሕዝቶኡ ንረብሓ ናይቲ ኪዳን ክውዕሎ ከኣ ባህርያዊ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ኪዳና ቀዳማይ ፈረኡ እቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ **"ደምቦብየት"** ዝተኻየደ ኵናት ኮይኑ፡ እቲ ቁርቁስ ናብ ሓድሽ መደረኽ ከም ዝተሰጋገረ ዝሕብር ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ **"ያበላውያን"**፡ ኣብ ሜዳ ወተሃደራዊ ህልውና ኣይነበሮምን። እንተኾነ ግን፡ እቲ ኣኼባ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንኽረኽቡን ይወሓዱ ይብዝሑ ኣብ ሱዳን ካብ ዝርከቡ ስዓብቶም ወተሃደራዊ ክንፊ ንኽገብሩን ኣረጋጊጽሎም ኢዩ።

እቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝተመሰረተ ኪዳን ወተሃደራዊ ዓቕሚ ናይቲ ኪዳን ንምሕያል ሓድሽ ኣፍደገ ክረክብ ከሎ፡ ብኻልእ ሸነኽ እውን ፖለቲካዊ ዓቕሙ ኣሓይሉ ኢዩ። እዚ ዕድል'ዚ ክረክብ ዘኽኣሎ ድማ በቲ ሓደ ሸነኽ ኣብ መንጎ ሰለስተ ወገናት ምድግጋፍ ብምቛሙ፡ በቲ ካልእ መዳይ ከኣ (እቲ ኣብቲ ኣኼባ ስሙ ናብ ናይ ወጻኢ ልኡኽ ዝተለወጠ) **"ኣማና ዓማ"** ኣብ ድልዱል ባይታ ረጊጹ ጽዑቕ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ንጥፈታት ንኸካይድ ዕድል ስለዝረኸበ ኢዩ። ብልክዕ ከኣ ብድሕሪኡ ናይ ወጻኢ ልኡኽ ብዛዕባ **"ኵናት ሓድሕድን"** ባህርያቱን ዘካይድዎ ዝነበሩ ኣከላትን ኣመልኪቱ ብርክት ዝበለ መግለጺታት ኣውጺኡ ኢዩ። እዚ ክውንነት'ዚ ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ድሕሪ ኣኼባ በይሩት ብሸውዓተ ኣዋርሕ ናይ ሓባር ኣኼባ ከካይዱ ከለው ኣብ ቅድሚኦም ብሩህ ነይሩ።

**ካልኣይ፡-** ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ወተሃደራዊ ሓይሉ ንምምዕባል ይትረፍስ ነቲ ዝኸስሮ ዝነበረ ዓቕሚ ንምትካእ ዘኽእሎ ምንጪ ሰብኣዊ ሓገዝ ኣይነበሮን። እቲ እንኮ ተሪፉ ዝነበረ ምንጪ ካብ ከተማታቱ ክሰለፉ ዝኽእሉ ውሑዳት እንተ ተረኺቦ ሱዳን ኢዩ ነይሩ። ነዚ ምንጪ'ዚ እውን ንምግላሉ ወይ ንምቁጽጻሩ ይከኣል ነይሩ ኢዩ። **"ጉጅለ ዓላ"** ኣብቲ ኵናት ቅድሚ ምጽንባሩ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ዝሕብር ኢዩ ነይሩ። **"ጉጅለ ዓላ"** ንኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብቲ ኵናት ኣድማዒ ባእታ ወሲኽሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምንጪ ዓቅሚ ሰብ እውን ኣውሒስሉ ኢዩ። ኣብ መንጎ ከበሳታትን ሳሕልን እናተንቀሳቐሳ ብቀጻሊ ንኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ብሓደስቲ ተሰለፍቲ ዝረድእኣን ጉጅለታት ነይረን። ኣሃዱታት ተጋድሎ

ሓርነት ኤርትራ ንምንቅስቓስ ናይተን ጉጅለታት ንምዕንቃፍ ፈተነታት እኳ እንተ ኣካየዳ ክዕወታ ግን ኣይካኣላን። እዚ ክውንነት'ዚ እውን ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ፍሉጥን ነቲ ኣኼባ ርዱእን ዝነበረ ኢዩ።

**ሳልሳይ፡-** ኣብቲ ናይ ሓባር ኣኼባ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ መሰረታት ሓፋሽ ተ.ሓ.ኤ.፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሱዳን፡ እቲ ኵናት ብምንውሑ ምዕዝምዛማት ክቅልቀል ጀሚሩ። ንወተሃደራዊ ህላወ **"የበላውያን"** ኣብ ሓጺር ግዜ፡ እሞ ከኣ ብዘይ ዓቢ ክሳራ ምድምዳሙ ኣብ ዝሰፍሐ ከባቢታት፡ ብፍላይ ከኣ ዝነበርዎ ከባቢ ዓቢ ሓጎስ ረኺቡ ኢዩ። ወተሃደራዊ ህላወ ህ.ሓ.ሓ እውን ብኸምኡ ኣገባብ ክድምደም ትጽቢት ነይሩ። እንተኾነ ግን ኵናት ተናዊሑ። ምስ ምንውሑ ድማ ከም ምዝራብ ብዛዕባ **"ኵናት ሓድሕድን"** ዜናታቱን፡ ዘጋጥም ዝነበረ ክሳራታትን ኣብ መንጎ ኣሕዋት ኵናት ደው ክብል ዝጽውዕ ኣዋጃት ናይ ወጻኢ ልኡኽን ዝኣመሰለ ሓደስቲ ረቛሒቲታት ድማ ክእትው ጀሚሮም። ሓባራዊ ኣኼባ ነቲ ዝቕልቀል ዝነበረ ምዕዝምዛማት ተዓዚብዎ ስለዝነበረን ትም ኢሉ ክሰግሮ ስለዘይካኣለን ድማ ኣብ ደምዳሚ ኣዋጁ ጠቂስዎ። እቲ ኣዋጅ **"ገለ ካባና፡ ምናልባት እውን ካብ ጽቡቕ ድሌት ተበጊሶም ክኾኑ ይኽእሉ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ነቲ ውሳኔ ንምትግባር ዝተፈጸመን ኣብ ምፍጻም ዝርከብን፡ ኣብቲ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ሃገራዊ ጉባኤ ዝወሰኖ ከም ዕውር ተማእዛዝነት ገይሮም ይዛረቡ ኣለዉ"** ይብል። እቲ ምዕዝምዛማት ጋህዲ እናኾነ ይኸይድ ስለዝነበረ ድማ ኣኼባ ሸለል ክብሉ ወይ ክጎሳዩ ኣይከኣለን። እዚ ሓቂታት'ዚ ከኣ፡ ነቲ ኣኼባ ርዱእ ኢዩ ነይሩ።

ሓበራዊ ኣኼባ ነዚ ዝጠቐስናዮ ሰለስተ ሓቂታት ይርድኦ'ኳ እንተነበረ፡ ነቲ መትከል ምቅንጻል ጸረ ሰውራ ኣይልወጥን ኢዩ ዝብል ኣብ ካልኣይ ክፋል፡ ካልኣይ ነጥቢ ናይቲ ኣዋጅ ተጠቒሱ ዝነበረ መርገጺ ኢዩ ወሲዱ።

እዚ ሮቛሒታት እዚ ግዝያዊ ምስ ግዜ ዝጠፍእ ሮቛሒታት ኣይነበረን። የግዳስ ምስ ግዜ፡ ዕማም **"ቅንጸላ"** ናብ ዘይከኣል ዝልውጥ እስትራተጂያዊ ዕምቆት ነይሩዎ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኸዘነ ኣጽዋር ወይ እውን እትትስፈዎ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣይነበረን። በዚ መዳይ'ዚ ኣትውንኖ ዝነበረት እቲ ኣብ ቀዳማይ ውግኣት ኣብ ሳሕል ካብ መኸዝናት ህ.ሓ.ሓ. ዝረኸበቶ ጠያይቲ ኢዩ ነይሩ። ክመጽእ ተስፋ ዝተገብረሉ ብዙሕ ዘይኮነ ጠያዪቲ እውን ካብ ወጻኢ ረኺባ ነይራ።

እዘን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ረቛሒቲታት፡ ንፋስ ናብ ረብሓ ተ.ሓ.ኤ. ብሓፈሻ መደብ **"ቅንጸላ"** ድማ ብፍላይ ዘይኮነ ኣንፈት ገጹ ይነፍስ ከም ዝነበረ ብብሩህ ዘረድኣ ኢየን ነይረን። ይኹን'ምበር ኣብ ቅድሚ'ቲ ሓባራዊ ኣኼባ ብዘይካ ኵናት **"ምቅጻል"** ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ብሓደ ወገን ንዘተ ንምፍታን ዘኽእል ኩነታት ስለዘይነበረ፡ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ዝብል ውስነ ሃገራዊ ጉባኤ ዕማም **"ቅንጸላ"** ከይዘዘምካ ክትገድፎ ዘይክኣል ቀይዲ ብዝመሰል ኣገባብ ስለዝተተርጎመ ኢዩ።

# 4. ካልኣይ መድረኽ ግጥምን ምትእትታው ሱዳንን

እቲ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ተብግሶ ዝወሰዳሉ ዝነበራ ድሕሪ ኵናት **"ደምቦብዮት"** ዝተኻየደ ውግኣት ክሳብ ኣብ መጨረሽታ ናይቲ መድረኽ ኣብ ለካቲት 1973 ኣብ **"ገረግር"** ዝተኻየደ ዓቢ ኵናት፡ ኣሃዱታት ናይቲ ሓደ ወገን ክሳብ ኣብ መጨረሽታ ኣብ **"ገረግር"** ውሽጢ ዶብ ሱዳን ከዝልቃ'ኳ እንተ ተገደዳ፡ ወሳኒ ውግኣት ግን ኣይነበረን።

እዚ መድረኽዚ ግን ብኻልእ ሸነኽ ንረብሓ ክልተ ወገናት ህ.ሓ.ሓ. (ክልቲኦም ወገናት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ኣኼባ በይሩት ቀዳማይ ወገን ካልኣይ ወገን ህ.ሓ.ሓ. ተብሂሎም ክስመዩ ተሰማሚያም ነይሮም) ዘገልግል ሓቂታት ኣብ ባይታ ከሲቱ ኢዩ። ቀንዲ ካብኡ ከኣ ኣዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ድሕሪ ምጽንባር ኣሃዱታት "ዓላ" ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ሞራሎም ክመልሱን ናይ ኵናት ድልውነቶም ከመሓይሹን ክኢሎም።
2. ብሳላ እቲ ካልኣይ ወገን ዘምጽኦ ዝነበረ ዓቕሚ ሰብ ቁጽሪ ተጋደልቶም ብሩኡይ ክዛይድ ስለዝጀመረ፡ ነቲ ምስ ቀዳማይ ወገን ዝነበረ ብረታት ንኽጥቐምሉ ኣኽኢሉዎም።

እንተ ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ መድረኽ፡ እዚ ዝስዕብ ተኸሲቱ።

1. ኩሉ ዓይነታት ጠያይቲ እናንኃደለ ከይዱ።
2. ኵናት ብምንውሑ ናይ ምስልቸው ተርእዮታት፡ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ፡ ክጋሃድ ጀሚሩ።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት፡ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ንኵናት "ገረግር" ምድላዋት ተኻይዱ። ካብ ክልቲኡ ውጽኢታት ሓደ ብምርግጋጽ ድማ ወሳኒ ኵናት ክኸውን ይድለ ነይሩ። ንኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣደን ክህባ ምግዳድ ወይ ድማ ከም ሓደ ሓይሊ ኮይኑ ክሰርሕ ከም ዘይክእል ጌርካ ፋሕ ብትን ምባሉ ነይሩ።

እቲ ኵናት ቀንዲ ውጽኢቱ ፍሽለት ኢዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ከምቲ ዝተገመተ፡ ንኻልእ ገለ ማዓልታት ክቕጽል እኳ እንተነበሮ ከም ሓድሽ ባእታ ምትእትታው ናይ ሱዳን መጸ።

ብዛዕባ ሓደ ኵናት ፈሊኻ ክትዛረብን ውጽኢቱ ክትግምግምን ብዙሕ ጸገማት ከም ዘለዎ ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ድማ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝርዝር ናይቲ ውግኣት ኣይኣቶናን። ኣብ ከምዚ ዝርዝራት፡ ዋላ'ቶም ካብ ሓደ ወገን ኣብቲ ፍጻመ ዝሳተፉ ክሰማምዑ ኣጸጋሚ ኢዩ። እንተኾነ ግን ኵናት "ገረግር" ናይ መጨረሽታ ሕሉፍ መድረኽ፡ መፈለምታ ናይ ሓድሽ መድረኽን ስለዝነበረት ከይፈቶና ኣብ ገለ ዝርዝራቱ ክንኣቱ ተገዲድና። ኣብዚ ኵናት'ዚ ነቲ ግርጭት ካብ ኵናት ናብ ዘተ ንምስግጋር ዝፈተነ ሓድሽ ረቛሒ ንሱ ከኣ ሱዳን ኣትዩ። ብርእይቶና ኣብ ምግምጋም ዘጋጥም ዝኾነ ፍልልያት፡ እዚ ሓቂታት ከም ዝተፈጸመ ክኽሕዶ ዝኽእል ኣይኮነን።

ኵናት "ገረግር" በዚ ዝስዕብ ሰለስተ ምኽንያታት ናይቲ ካብ "ደምቦብዮት" ጀሚሩ ክሳብ "ገረግር" ዝነበረ መድረኽ ናይ መጨረሽታ ነጥቢ ኢዩ ነይሩ፡ ንሱ ከኣ ቀዳማይ- ወገን ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ኵናት ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ምድምዳሙ ምፍሻሉ፡ ካልኣይ- ድሕሪ ምትእትታው "ጉጅለ ዓላ" ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ክጸንዕ ምኽኣሉ፡ ሳልሳይ- ምትእትታው ሱዳን። በዚ ዝተገልጸ ሰለስተ ምኽንያታት እውን መፈለምታ ናይ ሓድሽ መድረኽ ኢዩ ኮይኑ።

*   *   *

እምባኣርከስ፡ ምትእትታው ሱዳንን ውጽኢቱን ከመይ ነይሩ?

ብላዕለዎት መኮንናት ዝምራሕ ኣሃዱታት ሰራዊት ሱዳን ኣብ ቦታ ኵናት መጺኡ እቲ ኵናት ደው ክብል ክሓትት ከሎ፡ ወገን ተ.ሓ.ኤ. ኣብቲ ዝተወሰነ ግዜ ነቲ ኵናት ከውድኦ ከምዘይካኣለ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ኵናት ናብ

መጨረሽታኡ በጼሑ ኣይነበረን። ቀጸልነቱ እውን ወሳኒ እኳ ኣይኹን እምበር ሓድሽ ሓቂታት ክፈጥር ምኻኣለ ነይሩ።

ክልቲኦም ወገናት፡ ንሓደ ቀንዲ ምኽንያት፡ ንሱ ድማ እቲ ኵናት ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ይካየድ ስለዝነበረ፡ መንግኻንነት ሱዳን ክቕበሉ ነይሩዎም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ብመንጎኝነት ሱዳን ርክብ ተኻይዱ።

ኣብቲ ሽዑ ብ26-2-1972 ዝተገብረ ርክብ ክልቲኦም ወገናት ኣብዚ ዝስዕብ ስምምዕ ተፈራሪሞም።[163]

**"ብስም ህዝቢ ኤርትራን ጅግና ሰውራኡን፣**

**ክልቲኦም ወገናት ተጋደልቲ ኤርትራ ብሓድነት መስርያምን ውድብን ይኣምኑ፡ ካብዚ መረዳእታ'ዚ ተበጊሶም ድማ፡ ነዚ ዝስዕብ ይትግብሩ።**

1. **ንኩሉ ሽግራት ካብ ሱሩን ሕሉፍ ድሕረ ባይታኡን ንምፍታሕ ደሞክራሲያዊ ዘተ ምኽያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ይኣምኑ።**
2. **እዚ ስምምዕ'ዚ ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ክልቲኡ ወገን ሰፊሕ ጉባኤ ንምስንዳእ ናይ ሓባር ኮሚተ ንምቛም ዝመርሓና ክኸውን ኣለዎ።**
3. **ካብዚ መረዳእታ'ዚ ብምብጋስ ድማ እቲ ዘፈላሊ ነጥቢታት ንምፍታሕ ክከኣል ምእንቲ ኣብ መሬት ኤርትራ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሱዳን ኵናት ደው ይብል።**
4. **ክልቲኦም ወገናት ንትሕዝቶ ናይዚ ስምምዕ ንምትግባር ንመሰረታቶም ይሕብሩ። ምስኣታቶም ዝበጽሕዎ ስምምዕ ድማ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ናባና (ሱዳናውያን ማለት ኢዩ - ደራሲ) ተመሊሶም ይሕብሩ።**
5. **ክልቲኦም ወገናት ንትሕዝቶን መንፈስን ናይዚ ስምምዕ ይትግብሩ።"[164]**

እንተኾነ ግን እቲ ስምምዕ ምስ ተፈረመ ክልቲኦም ወገናት ቁሊሕ ኣይበሉዎን።

እቲ ስምምዕ ካብ ናይ ክልቲኦም ወገን ናይ ሓድነት ድሌት ዝተበገሰ ኢዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣጸጋሚ ኢዩ። ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሓድነት ክኣቱ ድሌት ኣይነበሮን። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ፍልልያት መድረኻት ካብ ጉባኤ "ሶዶሓ ዒላ" ጀሚርካ ክሳብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ንሓድነት ዘለዎ ድሌት ገሊጹ ኣይፈልጥን ኢዩ። ንሓድነት ዝምልከት ሓሳብ እውን ኣቕሪቡ ክብሃል ኣይከኣልን ኢዩ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እውን ፈተነታት ጉባኤ ዓዋተ ምስ ፈሸለ ሓድነት ዝብል ሓሳብ ገዲፋቶ ኢያ። ስለዚ ድማ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ናይ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ ፍልልያት፡ ብፍላይ ከኣ እቲ "ኵናት ሓድሕድ" ዝፈጠሮ ቅርሒንቲታትን ጻርፊታት ምልውዋጥን ኣብ ግምት ምስ እንእቱ ኣመና ገፊሕ ኢዩ ነይሩ።

ክልቲኦም ወገናት ነቲ ዝነበረ ኩነታት ነቶም ኣብ ውሽጢ ሉኣላዊ መሬቶም ኵናት ዝካየድ ዝነበረ ከም ህዝብን መንግስትን ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝደናገጹ ሱዳናውያን ብዘዕግብ ኣገባብ ንምፍታሑ ተባሂሉ ዝተኣተወ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዘብርሃልና ሓቂ ድማ፡ ነቲ ስምምዕ ንምትግባር ዝተወሰነ ኣገባባት (Mechanism)

---

[163] ብወገን ህ.ሓ.ሓ. ኣብቲ ስምምዕ ዝኸተሙ፡ ኣሕመድ ህላል (ቀዳማይ ወገን)፡ መስፍን ሓጎስ (ካልኣይ ወገን) ክኾኑ ከለው፡ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ከኣ ስዒድ ሳልሕ፡ ተስፋይ ተኽለን ዓብደልቃድር ሮመዳንን ኢዮም።

[164]ነዚ ስምምዕ'ዚ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኣብቲ ሰውራ ኤርትራ፡ ምግስጋስን ምንቁልቋልን ዝብል መጽሓፍ (ብዓረብ) ገጽ 130-131 ኣስፊሩዎ ኣሎ። ሓቅነቱ ንምፍላጥ ነቲ ሰነድ ንተስፋይ ተኽለ ኣርእየዮ፡ ንሱ እውን ተቀቢሉዎ።

ዘይምፍጣር ኢዩ። ዝኾነ ወገን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባባት ንምውሳን ሓሳብ ዘቕረበ እውን ኣይነበረን።

በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት እምባኣር፡ እቲ ስምምዕ ሓደ ወገን ናብ ሓድነት ንምብጻሕ ከም ኣገባብ ዝወስዶ፡ እቲ ካልእ ወገን ድማ ነቲ ዝነበረ ክውንነት ንምቕጻል ዝነጸጎ ሓድነታዊ ስምምዕ ኢዩ ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

እንተ ወሓደ፡ ኣብቲ ኣድረኽ'ቲ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ምስ ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ዕቱብ ዘተ ንምእታው ድሌት ከምዘይነበረ ክረጋገጽ ዝከኣል ኢዩ። ብዛዕባ መርገጺ ናይቲ ካልእ ወገን እውን እንተኾነ፡ ነቲ ስምምዕ ንምትግባር ተበግሶታት ከምዝወሰደ ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖታትን ሓቒታትን ክሳብ ዘይቀረበ ከምኡ ክበሃል ይከኣል ኢዩ።

## 5. ልኡኽ ወጻኢ ንጹግ ጭርሖ ዘተ የልዕል

እተን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት፡ ደድሕሪ እቲ ኵናት፡ ኣብ ሓጺር መዓልታት ናብ ኀቦታት ሰሜናዊ ሳሕል ዝተዓቑቡለን ቀዳሞት ኣዋርሕ ልኡኽ ወጻእ ጉዳይ ናይቲ ውድብ ዝሕልፈን ዝነበራ  ጽንኩራት እዋናት ምንባረን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ እተን ንወተሃደራዊ ክንፊ ናይቲ ውድብ ዝውክላ ዝነበራ ኣሃዱታት ናይ ምሕቃቐን ሓደጋ የንጸላልወን ስለዝነበረ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ምትእትታው ኣሃዱታት ዓላን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ኵናት ኣብ ሓጺር ግዜ ክውድኦ ዘይምክኣሉን፡ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ኣንጻር መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ብመረ ደረጃ ንኽንቀሳቐስ ሓያል ናይ ምህላውን ሕጋውነትን ዕድል ሂቡዎ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓድሽ ክውንነት ድማ፡ ወጻኢ ልኡኽ፡ ነቲ ኣብ ናይ **"ምቕንጻል"** ውጥን ዝጸንዐ መሰረታዊ ድኽመት መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከስተብህለሉ ክኣለ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. በዚ ይኹን በቲ፡ ኣብቲ ጉዳይ ክልቲኡ ውድባት፡ ህዝባዊ ሓይልታትን "የበልን" ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምድምዳም ርኡይ ዝምባለ ዘርኣየ ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ ቁዩድ ምንባሩ'ውን ክርዳእ ክኢሉ ኢዩ።

ካብዚ ተበጊሱ ከኣ፡ ወጻኢ ልኡኽ ዝተኸተሎ እስትራተጂ፡ ጭርሖ **"ንጹግ ዘተ"** ምልዓል ነይሩ። እዚ ማለትና፡ እቲ ኣቐዲሙ ብህ.ሓ. ተነጺጉ ዝጸነሐ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ብተ.ሓ.ኤ. ተነጺጉ ዘሎ ዘተ ኢዩ።

ወጻኢ ልኡኽ ካብቲ **"ኵናት ሓድሕድ"** ዝተወልዓሉ እዋን ጀሚሩ፡ መዘክራት እናቕረበን ኣዋጃት እናውጽእን ብቀጥታ እናተራኸበን ነቶም ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝደናገጹ መንግስታት ዓረብን ካልኦት ብዛዕባና ዝግደሱ ወገናትን ኣንጻር ተ.ሓ.ኤን ዝወልዖ **"ኵናት ሓድሕድን"** ከላዓዕሎም ኢዩ ፈቲኑ። ይኹን'ምበር ናይ ምዝታይ ድሌት ከምዘለዎ ዘርኣየሉ ኣገዳሲ መርገጺ እቲ ብሓምለ 1972 ኣብ ዘውጽኦ ኣዋጅ ዝገለጸ ኢዩ ነይሩ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣዋጅ ብግልጺ ንዘተ እኳ እንተ ዘይጸውዐ፡ ፈተውቲ ወገናት ኣቕረቦምዎ ዝበሎ ሓሳባት ከም ዝተሰማምዓሉ ብምሕባር ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ናይ ዘተ ተኽእሎ ከም ዘሎ ኣመተ።

ኣብቲ ብ15-7-1972 ኣብ ትሕቲ **"ናይቲ ሰውራዊ ባይቶ ዝተባህለ ሓደገኛ ቃለ እምነት"** ዝብል ኣርእስቲ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ናብቲ ቀንዲ ነጥቢ ንምብጻሕ ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ዝጸነሐ መርገጺ ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ።

***"ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ መንጎ ናይ ቃልሲ ብጾት፡ ወተሃደራዊ ግጭት ንኽይመጽእ ዓቢ ጻዕሪ ኣካይዱ ኢዩ። ነዚ ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ዘጋጠመ ሓደገኛ መድረኽ ንምስጋር ከም መሰረታዊ ቅድመ ኩነት ሃገራዊ ሓድነት ዘሐይል ሓሳባት ብተዳጋጋሚ***

**ኣቕሪቡ። ህዝባዊ ሓይልታት፣ ከም መቐጸልታ ጻዕሪታቱ፣ ንዝተፈላለዩ ወገናት ተ.ሓ.ኤ. ሓይሎም ንኽስምሩን ኣንጻር ጸላኢ ንኽቕንዕዎን ፈተውቲን ደገፍትን ሰውራ ኤርትራ ንኽሕግዝዎም ሓቲቱ።"**

ቀጺሉ እቲ ኣዋጅ ሓሳባት ፈተውቲ ወገናት ዝበሎን መርገጺኡን ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪቡ።

**"እዚ ዘሕዝን ፍጻሜ ምስ ኣጋጠመ፣ ብሰንኩ ንህዝባዊ ሰውራ ኣሚኖም ዝተሰለፉ መንእሰያት ኤርትራ ግዳይ ምስ ኮኑ፣ እቲ ወረ ምስ ተዘርግሐ፣ ገለ ኣብ 'ኵናት ሓድሕድ' ዝተወግኡ ኣብ ገለ ፈተውቲ ሃገራት ምስ መጹ፣ ብዙሓት ፈተውቲ ወገናት ኣብ ሓንቲ ፈታዊት ሃገር ኮይኖም ናይ ሓባር ጻዕሪታት ኣካይዶም። ነቲ ኵናት ደው ንምባል ከኣ ነዚ ዝስዕብ ሓሳባት ኣቕሪቦም።**

**ሀ. ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ኵናት ደው ንምባል ሰውራዊ ባይቶን ህዝባዊ ሓይልታትን ናይ ሓባር ኣዋጅ ከውጽኡ።**

**ለ. ንኣዋጅ ኩናት ደው ምባል ኣብ ምትግባር ንኽሕግዙ ካብ ፈተውቲ ወገናት ልኡኽ ናብ ኤርትራ ክኣቱ።**

**ሓ. ኣብ መንጎ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ሓይልታት ሰውራዊ ባይቶን ኩሎም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝርከቡ ዑጡቓት ሃገራውያን ሓይልታትን ስሙር ሃገራዊ ግንባር ክቐውም። ንመሰረት ኣቓውማ ናይዚ ስሙር ሃገራዊ ግንባር፣ ኣንጻር ጸላኢ ዓቕሚታቶም ንኽቕንዑ ዝሕግዞም ካልእ ግብራዊ ስጉምቲታት ዘነጽር ፕሮግራም ክወጽእ፣ እዞም ፈተውቲ ወገናት እዚኣቶም ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦትን ሰነን ጻዕሪታቶም የካይዱ ነይሮም።**

**ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ነቲ ፈተውቲ ዘካየድዎ ጻዕሪታት ሚዛን ብምሃብን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ንዘሎ ሓደገኛ ሓላፍነት ብምርዳእን፣ ነቲ ፈተውቲ ዘካየድዎ ጻዕሪታትን ዘቕረብዎ ሓሳባትን ምስ ፖሊስታቱን ሃገራዊ እስትራተጂኡን ስለዝሰነን ህልው መደረኽ ድማ ተሪር ሃገራዊ ሓድነት ንኽህሉ ስለዝጠልብን ተቐቢሉዎ ኣሎ"።**

ብተደጋጋሚ ከም ዝገለጽናዮ፣ ሕጂ'ውን ክንደግሞ ንደሊ፣ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካብቲ ኣብ ጉባኤ ዓማን ካብ ተ.ሓ.ኤ. ክፍንጨል ዝወሰነሉ፣ ኣብ "ሶዱሓ ዒላ" ዝተግበረሉን ዕለት ጀሚሩ፣ ዝኾነ ይኹን ናይ ዘተ ተበግሶ ወሲዱ ወይ ናይ ሓድነት ሓሳባት ኣቕሪቡ ኣይፈልጥን ኢዩ። ስለዚ እቲ "**ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ዓቢ ጻዕሪታት ኣካይዱ፣ ንምእንቲ ሃገራዊ ሓድነት ምሕያል'ውን ተደጋጋሚ ሓሳባት ኣቕሪቡ**" ዝብል ኣብቲ ኣዋጅ ሰፊሩ ዘሎ ሓሳብ ኣብ መርትዖ ዘይተመርኮሰ ተራ ዘረባ ጥራይ ኢዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ብወገን መራሕቲ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ካብ ሓቂ ዝራሓቀ ኣገባባት ምክታል ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ሽግራት ኢዩ ነይሩ ክብሃል ይካኣል። ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነትን ናይ ወጻኢ ልኡኹን ካብቲ ዝተመሰረተሉ እዋን ኣብቲ ጉዳያት ኣብ ምቕራብ ብሩህነት ዝሓትት ዝነበረ መድረኽ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍልስፍናታት ኣብ ምዕማቑ ዓቢ ተራ ነይርዎ ኢዩ። ብሩህነት ምስ ዝህሉ ከኣ'ዩ ሓቀኛ ፍታሕ ንምርካብ ባይታ ከጠጥሕ ዝኽእል። "**ጉባኤ ዓማን**" ኣብ ልዕሊ ላዕለዋይ ባይቶ ዘሕለፎ ውሳኔን ንውጽኢት ተግባራቱ ንጠቕላሊ መሪሕነት ሓላፍነት ከሰክምን፣ ከምኡ'ውን "**ኣማና ዓማ**" ካብ ጉባኤ "ሶዱሓ ዒላ" ዝተመርጸት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዘየላ ክንሳን ንባዕሉ ንውድባዊ ጉባኤ እናተዳለወ ከሎን ኣሰናዳኢት ሽማግለታት "ሶዱሓ ዒላ"ን ጉባኤ "ዓዋተ"ን ንጉባኤ ከዳልዋ ምጽውዑ (ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ዘቃላዓቶ ሰነድ ተመልከት) ካብቲ "**ኣማና ዓማ**" ዘካይዶ ዝነበረ ፖለቲካዊ መናውራት ኢዩ።

ኣብዚ ዝጠቐስናዮ ኣዋጅ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳባት፡ ሓቅነት ከምዘይብሉ ብዙሕ መርትዖታት ክቀርበሉ ዝክእል፡ ኣብ ክሊ እዚ ፖሊሲታት እዚ ዝርኣ ኢዩ።

እቲ ኣዋጅ ነቶም ሓሳባት ኣቕሪቦም ዝበሎም ፈተውቲ ወገናት ንምፍላጥ ፍጹም ኣይሕግዝን ኢዩ። ስለዚ ድማ ሓሶት ክኸውን ይኽእል ወይ'ውን ገለ ሓቅነት ክህልዎ ስለዝኽእል ንኸምዚ ዝኣመሰለ ንፍጻመኡ መረጋገጺ ዘየቅርብ ጉዳይ ርእይቶኻ ክትህበሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ብዝምልከት ርጉጽ ዝነበረ፡ ኣብቲ እዋን እቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምስቶም ብወተሃደራዊ ሓይሊ **"ክቅንጽሎም"** ዝኣወጀ ወገናት ኣብ ዘተ ክኣቱ ፍጹም ድሌት ከምዘይነበሮ ኢዩ። ምናልባት እውን ወጻኢ ልኡኽ ነዚ ሓቂ'ዚ ስለዝፈልጠ'ዩ ክኸውን ዝኽእል ዝኾነ ንረብሓይ የገልግል ኢዩ ዝበሎ ሓሳባት ሓቅነቱ ብዘየገድስ ዝምህዝ ዝነበረ።

ኣዋጅ ወጻኢ ልኡኽ ብንጹር ንዘተ ኣይጸውዐን። እንተኾነ ግን ብኻልእ ኣገባብ ማለት፡ **"ፈተውቲ ወገናት"** ኣቅሪቦሞ ንዝበሎ ሓሳባት ብምስምማዕ ኣብ ዘተ ንምእታው ዘለዎ ድልውነት ገሊጹ ኢዩ።

እዚ ከኣ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤን ኣብ ጉዳይ ዘተ ዝህቦ መልሰ ተግባርን ንምፍላጥ ዝወሰዶ ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ናብኡ ዘይኮነስ ናብ ካልእ ዝቐንዐ ኣዋጅ ግምት ስለዘይሃቦ፡ እዚ ንወጻኢ ልኡኽ ኣብ ኩሉ መጋባእያታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዓረባዊ ዞባ፡ ጭርሖ ደምክራስያዊ ዘተ ኣልዒሉ መዓልታዊ ንኽቃልሖ ኣተባቢዕዎ ኢዩ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ ዓመተ 1973 ብምልኡ፡ ወጻኢ ልኢኽ ኣብ ወጻኢ መዳይ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዓቢ ተጽዕኖ ዝገበረሉ ዓመት ኢዩ ነይሩ። ኣብ ኩሉ ጽሑፋቱ ብዛዕባ ኣገዳስነት ደሞክራስያዊ ዘተን፡ ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ዘተ ንምእታው ድልው ምዃኑን፡ ፈተውቲ ሰውራ ብወገኖም ንመራሕቲ ሰውራ ሽግራቶም ንኽስግሩ ኣብ ምሕጋዞም ክጻወትዎ ዘለዎም ተራን ብዙሕ ተዛሪቡ።

ኣብ መንጎ ናይ ሓባር ዕላማ ዝጥርንፎም ኣሕዋት ብዛዕባ ኣገዳስነት ደሞክራስያዊ ዘተ ክትዛረብን ስማዒ እዝኒ ክትረክብን ቀሊል ነገር ኢዩ፡ ብፍላይ ድማ በቶም ፈተውቲ ሰውራ ኤርትራ ቅቡል ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገላልጻ ብዛዕባ'ቲ ናብ ግጭት ዘብጽሐ ጠንቂታት ክትዛረብ ግድን ኣይኮነን። **"ኩሉ ጠንቂታት ብዘየገድስ"** ምባል ጥራይ እኹል ኢዩ። ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ንተ.ሓ.ኤን መሪሕነቱን ፖለቲካዊ መጥቃዕቲ ናብ ዘካይደሉ መድረኽ ምእንቲ ክሰጋገር ብዛዕባ'ቲ ሰፊሕ ተቀባልነት ዝነበሮ ቀዳማይን ካልኣይን ግርጭታትን፡ ካልኣይ ግርጭታት ብደሞክራስያዊ ዘተ ክፍታሕ ከም ዘለዎን ብዙሕ ተዛሪቡ ኢዩ። ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ዕላማ ናይቲ ዝካይዶ ዝነበረ ሰፊሕ ዘመተ ንተ.ሓ.ኤ. ካብ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ምንጪታት ንምንጻል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብምጽላው ናታቶም ደገፍ ንምኽሳብ እውን ኢዩ ነይሩ።

እዚ ብወገን ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ዝነበረ መርገጺ'ዚ ድማ ብወገ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንናይ **"ቅንጸላ"** መደቡ ዘምጽኣ ዝህቦ ዝነበረ ምኽንያታት ተቀባልነት ከም ዘይረክብ ይገብሮ ነይሩ። ብዛዕባ ድሕረ ባይታ ናይቲ ግጭት ብዝምልከት ዝቐርብ መግለጺታት፡ ዋላ'ውን ሓቀኛን ገላጺን ይኹን፡ ነቶም ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. **"ዝፈሰሰ ደም" "ምቅትታል" "ኵናት ሓድሕድ"** ደው ክብልን ናብ ቀጥታዊ ዘተ ክኣቱን ዝጠልብዎ ዝነበሩ ፈተውቲ ሰውራ ክዕግብ ዝኽእል ኣይነበረን።

ልክዕ'ዩ ወግዓዊ ምንጪታት ሓገዝ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዓረባዊ ዞባ ካብ ኣጻብዕቲ ሓንቲ ኢድ ዘይብዝሓ ውሱናት ሃገራትን ውድባትን ኢየን ነይረን። እተን ሽዑ ዝነበራ ከም ሶርያ፡ ዒራቕ፡ ሊብያ፡ ውድብ ሓርነት ፍልስጥኤም **"ፈትሕ"** ኢየን።

ንሳተን እውን ኣብ ክልቲኡ ተቆራቋሲ ውድባት ዝተመቅላ ነይረን። እቲ ወተሃደራዊ ግጭት ኣብ መርገጺኦም ዓቢ ጽልዋ ኣይገበረን። ይኹን እምበር እቲ ንተ.ሓ.ኤ. ዝድግፍ ዝነበረ ወገን ንገዛእ ርእሱ፡ መጻኢ ሰውራ ናብ ሓደጋ ከይወድቕ ስለዝሰግኣ ንዘተ ይጽውዕ ነይሩ።

እቲ ኩሉ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ወጻኢ ንፈተውቲ ሰውራ ንምዕጋብ ብዛዕባ ባህርያት ህ.ሓ.ሓን መሪሕነቱን ሰውራ ኤርትራ ንምብታን ዝተጻወቶ ተራን፡ ከምኡ'ውን ንሰውራ ቅኑዕ መኣዝኑ ንምትሓዝ ናብ ወተሃደራዊ ግጭት ዘብጽሐ ጠንቂታትን ንምብራህ ዘካየዶ ጻዕሪታትን ዘቕረቦ ጭብጢታትን ንዘተ ካብ ምጽዋዕ ዘይዓግት ብዘይካ ውሱን ምድንጋጽ ዘፈረየ ነገር ኣይነበረን።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ወጻኢ፡ ንዘተ ብመትከል ምቕባል ኣብ ክነጽገሉ ዘይክእል ኩነታት ኣንፃፎ። ካብዚ ንላዕሊ ግን ወተሃደራዊ ክንፊ ናይቲ ተጻራሪኡ ውድብ ዘብቅዓሉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ነቲ ናይ ዘተ ጸዊዒታት ደው ከብሎ ኣይከኣለን።

# 6. ሰውራዊ ባይቶን መትከል ዘተ ምክታሉን

ተቓውሞ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንዘተ፡ ንልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ከም ድላዩ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ብዛዕባ ዘተ ከዝምርን ብዝተፈላለየ ኣገባባት ምድንጋጽ ፈተውቲ ንኽስልብን ዓቢ ዕድል ሂቡዎ ኢዩ። ኣብ ቅድሚ ሰፊሕ ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ንምእንቲ ምእራምን ጭርሖ ደሞክራስያዊ ዘተን ዝተመስረተ ውድብ መሰለ።

መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብታሪኽ ዋና ዘተ ኢዩ ነይሩ። ተርእዮ ምፍንጫል ኣብ ሜዳ ምስ ተቀልቀለ ቅድሚ ምስፍሕፋሑ ናይ ዘተ ተበግሶ ዝወሰደ ንሱ ኢዩ። ምእንቲ እዚ ኸኣ ኣብ ጉባኤ "ዓዋተ" እቲ ዝበለጸ ናይ ምርድዳእ ሓሳባት ኣቕሪቡ፡ ዋላ ብወገኑ ሕድገታት ዝጠልብ ይኹን ንኽቅጽሎ ከኣ ድልውነቱ ኣረጋጊጹ ኢዩ። ምስ'ዚ ኩሉ ግን፡ ሕጂ ጭርሖ ዘተ ካብ ኢዱ ተመንጢሉ ዋንኡ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ህ.ሓ.ሓ. ኮይኑ ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ኣሉታዊ (Passive) ፖለቲካዊ ምክልኻል ወዲቑ፡ መፍትሒታት ዘየቕርብን ንዝቐርበሉ መፍትሒታት ዘይቅበልን ኮይኑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ፈተውቲ ዝደልይዎ ብታሪኽ መን'ዩ ጉጉይ መን'ዩ ከ ቅኑዕ ምፍላጥ ኣይነበረን። ምኽንያቱ እዚ ጉዳይ'ዚ ግዚኡ ሓሊፉ ኢዩ። ርእይቶኦም፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኣብ ዝተወሰነ መድረኽ ናብ ጎነጽ ክበጽሕ ዝኽእል ፖለቲካዊ ፍልልያትን ቁርቁሳትን ዝመልኣ'ዩ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕሉፍ ፍልልያት ድማ ካብ ንግሆ ንዓራርቦ ክትፈታሕ ስለዘይክኣል፡ ኣገባብ ኣፈታትሕኡ ንውድባት ሰውራ ኤርትራ እምበር ንፈተውቲ ዝምልከት ኣይኮነን፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ እውን ጠቓሚ ኣበርክቶ ክገብሩ ዓቕሚ የብሎምን ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ንፈተውቲ ዝምልከት ዝነበረ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተፈጸመ ምስ ተፈጸመ ሕጂ እንታይ ክግበር ኣለዎ? ዝብል ኢዩ ነይሩ። ብዙሓት ካብ ፈተውቲ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ስልጣን ሒዞም ዝነበሩ መራሕቲ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንድሕረ ባይታ ፍልልያት ሰውራ ኤርትራ ይፈልጡ ስለዝነበሩ፡ ምስ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ይደናገጹ ነይሮም። ብፍላይ ድማ ንዑስማን ሳልሕ ሳበን ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕ ዝኽተሎ ዝነበረ ኣገባባትን ይፈልጥዎ ነይሮም። መራሕቲ ሰልፊ ብዓስ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዑስማን ሳበን ምስ ኩሎም ሃይማኖታውያንን ብሄራውያንን ወገናትን ንስርዓቶም

ዝቓወሙ ሓይልታትን መርበባት ስልያ ኣብ ዓረባዊ ዞባን ዘካይዶ ዝነበሩ ተገላባጢ ዝምድናታትን ብዙሕ ዕቃበታት ነይሩዎም ኢዩ። እቲ ዑስማን ዝገብሮ ዝነበረ ዝምድናታት ንሃገራዊ ጸዋታኦም ከይትንከፍ እውን ስክፍታታት ነይሩዎም። ብኣንጻሩ፡ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምስ ነፍሱን ምስኦምን ከም ዝያዳ ሓቀኛ ምኳኑን፡ ዑስማን ሳበ፡ ጠቕላሊ ሰክረታርያን ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያትን፡ ብኻልእ ኣዛራርባ ኩሉ ዑስማን ማለት'ዩ፡ ብዝፈጠረሉ ሽግራት ኣብ ወተሃደራዊ ፍታሕ ከም ዝብጸሓን ይርድእዎ ነይሮም። ምስዚ ኩሉ ግን ኣብ "ሹናት ሓድሕድ" ዝኸሰር ዑስማን ዘይኮነስ ሰውራ ኤርትራን ተ.ሓ.ኤን ምኳኖም ይርኣዮም ነይሩ። ኣብ መርገጺኻ ምድራኽ ንዑስማን ከም ግዳይን ጅግናን ስለዝገበሮ ከም ዝጠቕሞ፡ ንሰውራዊ ባይቶ ድማ ከም ተጻባኢን ተጣላዒን ስለዝገበሮ ከም ዝጎድኦ ይሕብሩ ነይሮም።

ኣብ ልዕሊ ሰውራዊ ባይቶ በተን ክልተ ሃገራት ዝካየድ ዝነበረ ተጽዕኖ ግን ነቲ ብመሰረቱ ውሑድ ዝነበረ ሓገዛተን ንምቁራጽ ናብ ዝፈራርሕ ደረጃ ኣይበጸሐን። ብሓቂ ካብ ማዕዳን መተካእታ ሓሳባትን ካብ ምቕራብ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ምስዚ ኩሉ ግን፡ እዚ መርገጺ'ዚ እውን ንሰውራን ተ.ሓ.ኤን ካብ ምሕላይን ንሓቂታት ናይቲ ግርጭትን ንመርገጺ ሰውራዊ ባይቶን ካብ ዝፈልጡን ፈተውቲ ይመጽእ ስለዝነበረ ንሰውራዊ ባይቶ መራላዊ ተጽዕኖ ይገብረሉ ነይሩ።

ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብቕዓቱ ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕን ኣፍልጦኡ ብዞባ ዓረብን ሓይልታቱን ዘተ ንምክያድ ጥራይ ዘይኮነ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብጸጋማውን ማርክሳውን ንዓረብነትን እስላምን ከም ዝጻረር ገይሩ ኣብ ምቕራብን ተጠቂምሉ ኢዩ። ንዝቕርቦ ክሲታት፡ ይሕግዞኒ ኢዩ ዝብሎ ካብዝን ካብትን ሓበሬታታት ካብ ምቕራብ እውን ድሕር ዝብል ኣይነበረን። እዚ ክሲታት'ዚ ድማ በቶም ኣብ ዓረባዊ ዞባ ኣስፋሕፊሖም ዝነበሩ ሃይማኖታውን ብሄራውን ዝምባሌታት ዝንበሮም ሓይልታት ተቐባልነት ይረክብ ነይሩ። ዑስማን ካብቲ እስላማዊ "ሓበሻ" ዝነበረሉን ንሓድነት ምስልምና ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጽውዓሉ ዝነበረ ግዜ ጀሚሩ ምስዞም ኣብቲ ሃብታም ውሽመጥ ዓረብ ጽልዋ ዝነበሮም ሓይልታት ምትእስሳር ነይሩዎ። ብሓቂ ከኣ እዞም ዘይወግዓውያን ሓይልታት እዚኣቶም፡ ንዑስማን ሳልሕ ሳበን ፖሊስታቱን መሰረታዊ ምንጪ ፖለቲካውን ፋይናንሳውን ሓገዝ ነይሮም። እዞም ሰውራዊ ባይቶ ከኽስቦም ወይ ሻራ ዘይብሎም ክገብሮም ዘይከኣለ ሓይልታት እዚኣቶም ከኣ ንሰውራዊ ባይቶ መልሲ ዘይርከቦም ሕቶታት የቕርብሉን ሓገዝ ከም ዘይረክብ ንምግባር ይጽዕሩን ነይሮም።

ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ኣብ ዓረባዊ ዞባ ዝርአ ዝነበረ መርገጺታት በቲ ንተፈንጨልቲ ሓይልታት ከም ጸረ ገድሊ ዝገለጾም ውሳኔታት ጉባኤ ከም ዝቕየድን፡ እቲ ውሳኔ ብኻልእ ሃገራዊ ጉባኤ እንተ ድኣ ዘይተላዒሉ ድማ ምስኣታቶም ኣብ ዘተ ክኣቱ ከም ዘይተወከለን ኢዩ ዝገልጽ ዝነበረ። እዚ መርገጺ'ዚ ግን ንሰውራዊ ባይቶ ኣብ ክንዲ ዝሕግዞ መሊሱ የጽብበሉ ኢዩ ነይሩ። ነቲ ናይ ምኹናን ውሳኔ ንምስራዝን ደሞክራስያዊ ዘተ ንምቕባል ዘፍቅድ ውሳኔ ንምሕላፍን ሃገራዊ ጉባኤ ብቑልጡፍ ክካየድ ዝብል ሕቶታት የስዕብ ነይሩ።

ሰውራዊ ባይቶ እቲ ዘቕርቦ ዝነበረ መግለጺታት፡ ከም መሪሕነት ንረብሓ ውድብ ክውስን ዝነበሮ ስልጣን ዘጽብብ ምኳኑ ይርድእ ኣይነበረን። እዚ ከኣ ንዝኾነ መሪሕነት ዝኸፍእ ኢዩ። ስለዚ ከኣ፡ መርገጺ ሰውራዊ ባይቶ ብውሳኔታት ጉባኤ ከም ዝጸንዐ ዘረድእ ዘይኮነስ ንድኽመቱ ዝሕብር ኢዩ ነይሩ ክብሃል ይካኣል። ሃገራዊ ጉባኤ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንመሪሕነት ገለ ቀይዲታት'ኳ እንተገበረ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.

ግን በቲ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ዋላ ብመሰረት'ቲ ጉባኤ ዝሃቦ ስልጣን ንውሳኔታት ጉባኤ ወድዓዊ ትርጉም ክህቦ ኣይከኣለን።

ብሓቂ፡ ውሳኔ ጉባኤ ብከምቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝተርጎሞ ንመሪሕነት ዝቅይድ ኣይነበረን። ውሳኔ "**ምዃናን ፖለቲካዊ መሪሕነት** (**ኣማና ዓማ ዝተሰመየን ወተሃደራዊ መሪሕነትን**) **ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት**" ምስዚ መሪሕነት'ዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ዝምድና ዘይምእታው፡ ወይ'ውን ረብሓ ሰውራ እንተድኣ ሃልይዎ ምስኡ ፍጹም ዘይምዝታይ ማለት ኣይኮነን። እኳ ድኣ ንኸምኡ ዝእዝዝ ኩነታት እንተደኣ ተፈጢሩ፡ መራሕቲ ንገለ ውሳኔታት ጠቅላሊ ጉባኤታቶም ክሰግሩ ወይ ክደስክሉ ይኽእሉ ኢዮም። ከምኡ ክገብሩ ከለው ግን ናይ ግድን ሓድነት ውድብ ዘውሕስ ኣገባባት ክኽተሉ ኣለዎም። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ ክውሰድ ዝካኣል ብዙሓት ኣገባባት ኣሎ። ብርግጽ ከኣ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምዕባለታት ሰውራ ምስ ኣገደዶ፡ ቅድሚ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ምስ መሪሕነት ናይቲ ካልእ ወገን ተራኺቡ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ርክብ'ዚ ኣብ ዝቅጽል ጽሑፍና ዝቐርብ ሓበሬታታት ድማ ክህሉ ኢዩ። እንተ'ቲ "**ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝወጽእ መሪሕነት፡ ተጋደልቲ ናይቲ ሓደ ወገን ናብ ጽላል ተ.ሓ.ኤ. ዝምለስሉ ምቹእ ግዜ ይውስን፣ እንተድኣ እቲ ናብ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ. ዝምለሰሉ ግዜ ተወዲኡ ድማ እቲ ካብ ጉባኤ ዝተመርጸ መሪሕነት ሓድነት ውድብን ሰውራን ብዘውሕስ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት ንኽወስድ ይውከል**" ዝብል ውሳኔ ጉባኤ ብሩህ ዝምባለ ወተሃደራዊ ግጥም እኳ እንተነበሮ፡ ወተሃደራዊ ምርጫ እቲ እንኮ ትርጉሙ ኣይነበረን።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ካልእ ትርጉም፡ ማለት ምቅባል ዘተ እውን ዝከኣል ኢዩ ነይሩ። ምናልባት እውን ልኡኽ ወጻኢ ጉዳያት ውሳኔታቱ ኣብቲ ብሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ኪዳናት ዝቆመ ወተሃደራዊ ክንፊ ክሳብ ክንደይ ከስገድድ ይኽእል መፈተኒ ምኳኑ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሰለስተ ተከፈሎም ክርኣዩ ዝኽኣሉ ረቛሒታት ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኖም መገዲ ዘተ ዓጽዮሉ።

**ቀዳማይ** - ምስዚ ንዕኡን ንታሪኹን ከም ቀንዲ ረቛሒ ምፍንጫል ሰውራን ዕንቅፋት ግስጋስኡን ኮይኑ ዝረኣዮ ወገን'ዚ ኣብ ዘተ ንምእታው ድሌት ዘይምንባሩ።

**ካልኣይ** - መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብቲ መሪሕነት ናይቲ ሓደ ወገን ብጨለነት ዝሰርሓሉ ፖለቲካዊ መናውራት ብተመሳሳሊ ኣብ ምግጣም ርኡይ ድኽመት ምርኣዩ።

**ሳልሳይ** - ዕማም ወተሃደራዊ "**ቅንጸላ**" ብዘይ ምዕዋቱ ናይ ፍሽለት ስምዒት ምሕዳሩን፡ ካብኡ ምስሓብ ድማ ከም ፖለቲካዊ ስዕረትን ነቲ ካልእ ወገን ኢድካ ምሃብን ምቁጻሩ።

ፖለቲካዊ ተጽዕኖታት ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ከቢድ ኢዩ ነይሩ። ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ ከም ኣቦ መንበር ውድብ ምስ ደረጃኡ ኣብ ዘይሳነ ምክልኻል ኢዩ ወሪዱ። ካብ ፈተውቲ ንዝዘንበሉ ሕቶታትን መጸዋዕታታትን ኣዕጋቢ መልሲ ክህበሉ ዓቅሚ ኣይረኸበን፡ ብፍላይ ከኣ "**ኵናት ሓድሕድ**" ደው ንምባል ብዛዕባ ክስራሕ ዘለዎ ብዝምልከት።

ካብዚ ተበጊሱ ድማ ኣቦ መንበር፡ ነቲ ኵናት ብወተሃደራዊ መገዲ ንምውዳእ ወይ ድማ ነቲ ሰውራዊ ባይቶ ንምንጻጉ ወይ መትካእታ ንምቅራብ ርእይቶ ክህበሉ ዘይከኣለ ዘሎ በቲ ካልእ ወገን ዝቐርብ ዘሎ ናይ ዘተ መጻዋዕታ ዝገጥም ሓያል ፖለቲካዊ መርገጺ ክውሰድ ዝኽእለሉ ገለ ነገር ክሰራሕ ከም ዘለዎ ብትሪ ክሓትት ጀሚሩ።

ነዚ ጉዳይ'ዚ ንምጽናዕ ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሚያዝያ 1974 ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ክካየድ ተወሲኑ። እቲ ኣኼባ ኣብ ሜዳ ተኻይዱ ብ30-4-1974 ኣዋጅ ኣውጺኡ። ካብቲ "ኣገዳሲ ኣዋጅ ሰውራዊ ባይቶ ተ.ሓ.ኤ." ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ኣዋጅ ነቲ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት ዝወጸ ከነቕርብ ኢና።

"ነዚ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ማእከላይ ዕላማ ዝወሰዶ (ሃገራዊ ሓድነት) ንምርግጋጽ፣ መስዋእቲ ተኸፊሉ፣ ክቡር ደም ፈሲሱ፣ እቲ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ድማ ንከንቱ ኣይነበረን። ሎሚ ኲሉ፣ እንኮላይ'ቶም ንነዊሕ ግዜ ኣብ ምርግጋጽ ሓድነት ውድብ ቀንዲ ዓንቀፍቲ ዝነበሩ ባእታታት፣ እቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ዘብጸሐ ጉዳያትን ጠንቂታትን ብመገዲ ደሞክራሲያዊ ዘተ ክፍታሕ ዓጊቦም ኣለው። ከምኡ'ውን እቲ እንኮ ፍታሕ ምርግጋጽ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብን ሓደ ሰራዊትን ምዃኑ ንኩሉ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

ካብ ውሳኔታት ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምብጋስ፣ ንሽግራት ሰውራ ንምፍታሕን ኩሉ ዓቕሚታት ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ንምቅናዕን፣ ደሞክራስያዊ ዘተ ምክያድ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ ሰውራዊ ባይቶ ዓጊቡ ኣሎ። ስለዚ፣ ሰውራዊ ባይቶ ኣብቲ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንኽካየድ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቆይማትሉ ዘላ ዝመጽእ ሃገራዊ ጉባኤ ደሞክራሲያዊ ዘተ ክውስን ሰውራዊ ባይቶ ሓሳብ ክቕርብ ኢዩ። ካብ መትከላት ደሞክራስን ካብ ድሌት ናይቲ ኣብ ሰውራ ሓቀኛ ረብሓ ዘለዎ ሓፋሽ ህዝብን ብምብጋስ ከኣ ጉዳይ ዘተ ኣብ ውሽጢ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽርኣ ተወሲኑ።"

እዚ ኣዋጅ'ዚ ምስቲ ናይ መትከል ዘተ ምንጻግ መርገጺ ክርአ ከሎ፣ ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ኢዩ። ይኹን'ምበር ሰውራዊ ባይቶ ካብቲ ዝነበሮ ጸቢብ ዓንኬል ሕጂ'ውን ነብሱ ሓራ ከውጽእ ኣይከኣለን። ኣብዚ'ውን ከም ሓደ ወሳኒ መርገጺ ክወስድ ዘይክእል እሱር መሪሕነት ኢዩ ኮይኑ። ልክዕ'ዩ ውሳኔ ወተሃደራዊ "ቅንጸላ" ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ብዓቢ ድሌት ሰራዊት ሓርነት ዝመጸ ኢዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ከኣ ሓላፍነቱ ናይ መላእ ውድብ ኢዩ። ስግኣታት ሰውራዊ ባይቶ ብዛዕባ'ዚ ዓቢ ደገፍ መሰረታት ዘለዎ ጉዳይ ሰውራዊ ባይቶ ንበይኑ ውሳኔ ከየሕልፍ ምስግኡ ቅቡል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ግን እዚ'ውን ነቲ ኩሉ ብወገን ሰውራዊ ባይቶ ዝነበረ ምዕጥይጣይን ዘይምውሳንን ምኽኑይ ዝገበሮ ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ከምቲ ዝበልናዮ ድሌት ዘይምንባርን ድኽመት ናይ ፖለቲካዊ መናውራ ኣተሓሳስባን መደብ "ቅንጸላ" ፈሺሉ ዝብል ስምዒትን ኢዩ።

## 7. ምዕባለታት ሜዳ፡ 1973 - 1974

እቲ ኣብ ሳልሳይ ሕጥቦ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ ዝጠቐስናዮ ስምምዕ "ዓጊግ" ሱዳን ናይ ሓድነት ስምምዕ ወይ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዕቱብ ዘተ ንምጅማር ዝተገብረ ስምምዕ ኣይነበረን። ኣብቲ ስምምዕ እቲ እንኮ ክትግበር ዝኽእል ዝነበረ ጉዳይ፣ እቲ ኣሃዱታት ክልቲኡ ወገን ካብ መሬት ሱዳን ክወጽእ ኣለዎ ዝብል ጥራይ ኢዩ። እዚ ድማ ናይ ሱዳን ወገን ዋና ሉኣላውነት መሬቱ መጥን ዝጠለቦ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። እቶም ክልተ ወገናት ድማ ብዘይካ ምትግባሩ ኣብ ቅድሚኦም ካልእ ምርጫ ኣይነበሮምን።

ቀንዲ ምኽንያት ምምጻእ ሓይልታት ሱዳን፣ ነቶም ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ሱዳናውያን ዜጋታት ካብቲ ኣብ ዝነብርሉን ኣብ ማእከል ስድራቤቶም ዝካየድ ዝነበረ ኲናት ንምግልጋል ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ዕማም ሓይልታት ሱዳን ነቲ ኣብ ነንሓድሕዱ ዝዋጋእ ዝነበረ ሓይልታት ካብ መሬት ሱዳን ምርሓቅ ኢዩ ነይሩ።

እንተ'ቲ መራሒ ሓይልታት ሱዳን ጀነራል "ኣቡ ደሃብ" ንክልቲኡ ውድባት ንምስምማዕ ዝገበሮ ፈተነታትን ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ስምምዕ ከብጽሖም ምኽኣሉን፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ምምጻእ እቲ ሓይልታት ኣይነበረን። ጀነራል "ኣቡ ደሃብ" ዝወሰዶ ስጉምቲ ካብቲ ምስ ሰውራ ኤርትራ ዘለዎ ምድንጋጽ ዝብገስ ኢዩ። እዚ ድማ ብሓቂ ነቲ ናይ ህዝቢ ሱዳን ምድንጋጽን ኣብቲ እዋን'ቲ ንሕቶ ኤርትራ ዝህብዎ ዝነበሩ ደገፍን ዘንጸባርቕ ኢዩ። እቲ ኣብ ምጽሓፉ ይኹን ኣብ ምክታሙ ዝመርሖ ስምምዕ ብወገን ሱዳን ዘውሕሶ ወይ ንትግባረኡ ዝከታተል (Mechanism) ዘይምቋም፡ እቲ ወግዓዊ ፖሊሲ ናይ ሱዳን ከምዘይነበረ ኢዩ ዘርድእ።

ብልክዕ እቲ ክልቲኦም ወገናት ካብ መሬት ሱዳን ክወጹ ኣለዎም ዝብል ነጥቢ ናይቲ ስምምዕ ተተግቢሩ። ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ "ተብሕ" ክዕስክራ ከለዎ፡ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ድማ ካብ "ተብሕ" ብወገን ደቡባዊ ሽንኽ ዓስኪረን።

ከምቲ ዝገለጽናዮ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ኣብ ስምምዕ "ዓጊግ" ዕቱብ ወይ ሓቀኛ ምእዙዝነት ክበሃል ኣይከኣልን ኢዩ። ኣብቲ ብድሕሪኡ ዝቀጸለ ኵናት፡ ሓደ ተበግሶ ከወስድ፡ እቲ ካልእ ድማ ናይ ምክልኻል ኣገባብ ምውሳዱ ከም ወተሃደራዊ ሜላ ናይ ኵናት ዝረኣ እምበር ምስ ስምምዕ "ዓጊግ" ኣተኣሳስርካ ዝርኣ ኣይኾነን።

ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝገለጽናዮ፡ ወገን ተ.ሓ.ኤ.፡ ብፍላይ፡ ኵናት ደው ክብል ድሌት ኣይነበሮን። እቲ ካልእ ወገን እውን ድሕሪ ስምምዕ "ዓጊግ" ንገለ ግዝያት ተበግሶ ካብ ምውሳድ ምቑጣቡ ካብ ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ኩነታቱን ወተሃደራዊ ሜላታቱን ዝብገስ እምበር ብስምምዕ "ዓጊግ" ስለዝተማእዘዘ ኣይነበረን።

ስለዚ ከኣ ድሕሪ "ዓጊግ" እቲ ኵናት ኣብ መሬት ኤርትራ፡ ኣብ ግንቦት ኣብ "ተብሕን" ኣብ ካልእ ቦታታት ቀጺሉ ኢዩ። ናይ መጥቃዕቲ ተበግሶ ዝወስድ ዝነበረ ወገን ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ካልእ ወገን እውን ናቱ ተበግሶታት ኣይነበሮን ማለት ኣይኮነን።

* * *

ካብቲ ኣብ 29-4-1972 ዝተኻየደ ኵናት "ዶምቦቤት" ክሳብ ክፍላ 1974 ኣብ ህ.ሓ.ሓ ዝተራእየ ኣገዳሲ ምዕባለ፡ ቀጽሪ ተጋደልቲ ናይቲ ውድብ ብቐጻሊ እናዛየደ ምኻዱ ኢዩ። ምንጪ ናይቲ ምውሳኽ ከኣ ካብ ከበሳ ኤርትራ ዝመጹ ዝነበሩ ሓደስቲ ተሰለፍቲ፡ ብፍላይ መንእሰያት ክርስትያን ኢዮም። ነዚ ዝውድብን ዝመርሕን ዝነበረ ወገን "ጉጅለ ዓላ" ኢዩ። እዚ ወገን'ዚ ነቶም ተሰለፍቲ ናብ ሳሕል ንምምጻእ ዝተኸተሎ ኣገባብ ደቂቅን ዕውትን ኢዩ ነይሩ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ ቁጽሪ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ብሰንኪ እዚ ሓድሽ ዓቕሚ ሰብ ዛይዱ። ካብቲ ዝወረዶ ሰብኣዊ ክሳራታት ንላዕሊ ስለዝኾነ ድማ ተኻዚኑ ዝነበረ ኣጻዋር ክዓጥቃ ዝኽእላን ልዕሊኡ ዝጠልባን ሓደስቲ ኣሃዱታት ተመስሪተን።

ክልቲኦም ወገናት ካብ መሬት ሱዳን ድሕሪ ምውጻኦም፡ ኣብ መንጎኦም ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ደርጋ ተመጣጣኒ ኢዩ ነይሩ። ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ካብ ገጽ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዝሃድማሉ ዝነበራ መድረኽ ኣብቂዑ ንምእንቲ ህላወኦን ጥራይ ዘይኮነስ ንምእንቲ ዓወት ኣትኪለን ዝዋግኣ ኮይነን። ስለዚ ከኣ ናይ ክልቲኦም ወገናት ክሳራታት እናዛየደ ከይዱ። እዚ ድማ ወገን ተ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ሕጂ ዘይራኣዮ ክሳራታት ክወርዶ ጀሚሩ ማለት ኢዩ።

ምስ ምዝያድ ቕጽሪ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ.፡ እቲ ናይ ዕጥቂ ፍልልይ እውን ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ጀሚሩ። ኣብ ወጻኢ፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ልዕሊ ተ.ሓ.ኤን

መሪሕነቱን መጠኑ ዝሓለፎ ጽልኢ ኢዩ ነይሩዎ። ስለዚ ከኣ ነቲ ናቱ ወገን ኩሉ ዝውንኖ ዘበለ ዕጥቂን ስንቂን፡ ብረትን ጠያይትን፡ ሽጋራ ከይተረፈ፡ ኢዩ ኣፍሲሱሉ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብኣረኣኣያ ተ.ሓ.ኤ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝርእዮ ዝነበረ ኣብ ልዕሊ ተ.ሓ.ኤ. ምዕዋት ኢዩ ነይሩ። ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ካብ ቀዳማይ ኵናት ጀሚርካ ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ህላወ ዘይነበሮ ከም ፎኮስቲ ረሻሻት MG፡ ብብረት ዝተኮሰ "ኢነርጋ" ናይ መራኸቢ ሬድዮ "ዎኪ ቶኪ" ዝኣመሰሉ ተራእዮም ኢዮም።

ብኣንጻር ናይዚ ብዓይነትን ብዝሕን ዝነበረ ምዕባለ ወገን ህ.ሓ.ሓ. ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ናይ ዕጥቂ ሽግር ስለዝነበረን ተወሳኺ ሓይልታት ናብ ሳሕል ምልኣኽ ይጠቅም ኣይነበረን። እተን ክሳብ "ዱምቦቤት" ምንጪ ዕጥቂ ሰራዊት ሓርነትን ግዳይ ምእሳርን ዝነበራ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ፡ ኣብ ገለ ኩነታት ንተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ክኣስራን ንገለ ብረት ክምንዝዓን ጀመራ።

ድሕሪ'ቲ ተ.ሓ.ኤ. ክትዕወተሉ ዘይክኣለትን ከተዝልቅ ዝተገደደትሉን ኣብ ግንቦት 1973 ብተበግሶ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ "ተብሕ" ዝተኻየደ ኵናት፡ ዓበይቲ ውግኣት ኣይተኻይደን። ብድሕሪኡ ክሳብ ክፍላ 1974 ዝተገብረ ውግኣት ወሳኒ ዘይኮነ ንኣሽቱ ውግኣት ኢዩ ነይሩ። ኵናት ደው ዝበለሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ወገን ተ.ሓ.ኤ. ዓወት ከረጋግጽ ከም ዘይክእል ስለዝዓገበን ተበግሶ ምውሳድ ደው ስለዝበሎን ኢዩ።

ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዓበይቲ ውግኣት ዝተኻየደ፡ ህ.ሓ.ሓ. ብመጠኑ ዓበይቲ ኣሃዱታት ኣብ ነሓሰ 1974 ናብ ሓማሴን፡ ከበሳ ኤርትራ፡ ምስ ለኣኸን ኣብ ጉዕዞኣን ኣብ ስምሃር ንውሑዳት ዝነበሩ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ምስ ቀተሉን ኢዩ። እቲ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ወርሒ ነሓስ ዝጀመረ ኵናት ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ቀጺሉ። ብድሕሪኡ ንኣስታት ክልተ ወርሒ ደው ምስ በለ ከኣ ናይ መጨረሽታ ኵናት ኣብ ታሓሳስ 1974 ተኻይዱ። ድሕሪ'ዚ፡ ኵናት ፍጹም ደው ኢሉ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ናይ ሜዳ መራሕቲ ናይ ሓባር ስራሕን ዘተ ታትን ርክባትን ዝተራኣየሉ ሓድሽ መድረኽ ተጀሚሩ።

እቲ ኣብ "**ፍልፍል**" "**ወኪ-ዛግር**" "**ደፈረ**" ዝተኻየደ ውግኣት ካብቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝተኻየደ ውግኣት እቲ ዝኸፍኣ ኢዩ ነይሩ። እዚ ከኣ በቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ዝወረደ ሰብኣዊ ክሳራታት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንእስታት ክልተ ወርሒ ብዘይምቁራጽ ብምቕጻሉ እውን ኢዩ።

ድሕሪ ቀዳማይ ኵናት "**ፍልፍል**" ክልተ ዓበይቲ ውግኣት ኣብ ሰሜናዊ ወገን ኣሰመራ ኣብ "**ወኪ-ዛግርን**" "**ደፈረን**" ተኻይዱ። እዚ ክልተ ውግኣት ካብቲ ዝሓለፈ ውግኣት ዝፍለየሉ ኩነታት እንተ ነይሩ ድማ፡ ኣብ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሉ ከባቢ ብምክያዱን ደው ንምባሉ ህዝቢ ጻዕሪታት ድሕሪ ምክያዱን ስለዝመጸ ኢዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኩነታት ኢትዮጵያ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለ ስላሰ ዘውረደ ዕልዋ ርጉእ ኣይነበረን። ናይዚ ምዕባለታት'ዚ ቀንዲ ውጽኢት ኣብ ኤርትራ ድማ፡ ህዝቢ ከበሳ ብሓፈሽኡ ጸግዒ ሰውራ ምውሳዱን ዕላማ ናጽነት ምድጋፉን ኢዩ ነይሩ። ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ነቲ ኩነታት ክቆጻጸሮ ስለዘይከኣለ ድማ ህዝቢ'ዚ ከባቢን ህዝቢ ኣስመራ፡ ብፍላይን ወተሃደራውን ጸጥታውን ክፍልታት ጸላኢ እናረኣዮን እናሰምዖን ብብዙሕ ቁጽሪ ምስ ኣሃዱታት ክልቲኡ ውድባት ክራኸብ ጀሚሩ። ናብቲ ድሕረ ኵናት "**ፍልፍል**" ኣሃዱታት ክልቲኡ ውድባት ኣብ ዝተቀራረበ ድፋዕ ሒዘምሉ ዝነበሩ "**ወኪ**" ክውሕዝ ጀሚሩ። እቲ ህዝቢ ዝመርሑን ብስሙ ዝዛረቡ ዝነበሩ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን "**ኵናት ሓድሕድ**" ደው ኢሉ፡ ኩሉ ኣጽዋር ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ንኽቀንዕ ይጠልቡ ነይሮም። ንሳቶም ነቲ

ብክልቲኡ ወገን ኵናት ዘስዓበ ጠንቂታት ብዝምልከት ዝቐርበሎም ዝነበረ መግለጺታት ይግደስሉ ኣይነበሩን። ንሰም ብቀጥታ ናብቲ ሽግር ዝሰገረሉ ኣገባባት ብምድሃብ፡ ውግእ ጠጠው ክብልን ደጊም ከይባርዕን ዕርቂ ንኽገበርን ሓሳባቶም ከቕርቡ ጀሚሮም።

ንሕና፡ ብዛዕባ ሓሳባት ናይቲ ካልኣይ ወገን ንፈልጦ ነገር የለን። ዝኾነ ወገን'ውን ብዛዕባ'ቲ ክገብሮ ዝደሊ ነቶም ናይ መንግኻንነት ተራ ዝጻወቱ ዝነበሩ ህዝቢ ክነግሮም ዘይሕሰብ ኢዩ። ይኹን እምበር ወገን ተ.ሓ.ኤ.፡ ኣብቲ ሓደ ወገን ዝኾነ ይኹን እምነት ከም ዘይነበሮ ከነረጋግጽ ንኽእል ኢና። እቲ ኣብ ሰምሃር ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ተ.ሓ.ኤ. ዝተፈጸመ "ቅንጸላ" ህያው ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ሓቂ ይኹን ሓሶት ብዘየገድስ፡ ህ.ሓ.ሓ. ነቶም ዝተረፉ ካብታ ጉጅለ ብሂወት ዝሓዘቶም ተጋደልቲ ቀቲላቶም ኢያ እናተባህለ ይዝረብ ስለዝነበረ፡ እዚ'ውን ገለ ስሚዒታት ካብ ዘጉሃህሩ ርቋሒታት ኢዩ ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ድማ ናይቲ ከባቢ ወተሃደራዊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. እቲ ብህዝቢ ዝካየድ ዝነበረ መንግኻንነት ነቲ ኵናት ደው ንምባል ምኽኑይ ኮይኑ ስለዘይረኸቦ ኣብ "ወኪን" "ድፈረን" ናይ መጥቃዕቲ ተቦግሶ ወሲዱ።

እዚ ኣብቲ ክሳብ ትማሊ ንምእታው ጽንኩር ዝነበረ ከባቢ፡ ንረብሓ ሰውራ ዝኾነ ኣወንታዊ ምዕባለታት'ዚ፡ ምጽንባር ህዝቢ ኣብቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ቅርቁስን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጥረ ዕግርግርን እቲ ሓድሽ ስርዓት ነቲ ኩነታት ክቈጻጸሮ ዘይምኽኣሉን፡ ምስቲ ህዝቢ ዘርኣዮ ተበግሶታት ብሓድሽ መንፈስ ምውሳእ፡ ኣብ ዝምድናታት ክልቲኡ ውድባት ሓድሽ ገጽ ክኸፍት ዝኽእል እንተኾይኑ ምፍታኑን ይደሊ ነይሩ፣

በቲ ናይ ህዝቢ ተበግሶ ዝመጽእ ዝኾነ ኣወንታዊ ውጽኢት ንኽዕወት ጽቡቕ ድሌት ናይ ክልቲኦም ወገናት ዝሓትት ኢዩ ነይሩ። ክልቲኦም ወገናት ወይ ሓደ ካብኣቶም ንኽቕበሎ ዘገድዶ ነገር ግን ኣይነበረን።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ዝኾነ ወገን ኣብ ልዕሊ'ቲ ተበግሶ ብዝወሰዶ መርገጺ፡ ስምዒታት ብዘይምትእትታውን ንፍጻመታት ካብ መስመሩ ከይፈለኻን፡ ምስ ሓድነት ወይ ኣንጻር ሓድነት'ዩ ኢልካ ክትፈርዶ ዝከኣል ኮይኑ ኣይስመዓናን። ምኽንያቱ፡ ኵናት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ይቕጽል ስለዝነበረ።

ኣብቲ ብ13-10-1974 ብተበግሶ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደ ኵናት "ወኪ" ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ካብ ገለ ቦታታተን ከዝልቓ ተገዲደን ኢየን። እንተ ኣብቲ ብ17-10-1974 ብተበግሶ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደ ኵናት "ደፈረ" ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ዕርዲታተን ስለዝጸንዓ፡ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዳግመ ስርርዕ ንምክያድ ናብ "ሮራ መንሳዕ" ከዝልቃ ተገዲደን።

ምዝላቕ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ካብ ክልተ ምኽንያታት ዝነቐለ ኢዩ ነይሩ። ቀዳማይ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዕላማኡ ከረጋግጽ ስለዘይከኣለን፡ ዋላ'ኳ ክሳራታት ናይቲ ሓደ ወገን እውን ካብኡ ዝውሕድ እንተ ዘይነበረ ክሳራታት ስለዘጋጠመን፡ ካልኣይ ድማ ኣብ ገለ ኣሃዱታት ገለ ተጋደልቲ ኣብ ኵናት ምስታፍ ስለዝተቓወሙን ኢዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ንዕርዲታት ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ብ13-10-1974 ንምጥቃዕ ምስ ተወሰነ፡ ማለት፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ኵናት ደው ንምባል ናይ ህዝቢ ምትእትታው፡ ኢዩ ተኸሲቱ። ነቲ ተቓውሞ ዘበገሱ ተጋደልቲ ቁጽሮም ልዕሊ 30 ኾይኖም ካብ መብዛሕትኣን ኣሃዶታት ዝነበሩ፡ መብዛሕትኦም ኣብ 1973 ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝተሰለፉ ደቂ ከበሳ ኢዮም። ንሳቶም ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝካየድ ኵናት ደው ንምባሉ ህዝቢ ብመንግኻንነት ካብ ተንቀሳቐሰ ምቅጻሉ ምኽኑይ ከም ዘይኮነን ንጻዕሪታት ህዝቢ

ዕድል ከወሃቦ ከምዘለዎን ኢዮም ዝገልጹ ነይሮም። እቲ ተቓውሞ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ውሽጢ መራሕቲ መልሰ ተግባር ኣኸቲሉ። ነቶም ቀዳሞት ዝነጸጉ ኣብቲ ናይ ዕለት 13-10-1974 መጥቃዕቲ ከም ዘይሳተፉ ስለዝተገብረ፡ ወተሃደራውያን መራሕቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ መጥቃዕቲታት ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ብመሰረት ዝስራሓሉ ዝነበረ ወተሃደራዊ ሕጊ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝተቓወሙ ኣድልዩ ስጉምቲ ክውሰድ ይጠልቡ ነይሮም። ንትሪ ናይቶም መራሕቲ ዝወሰኽ ድማ ቁጽሪ ተቓወምቲ እናዛየደ ምካዱን ከምቲ ዝገለጽናዮ ድሕሪ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ክሳብ 30 ምብጽሑ ኢዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ምንቅናቕ ፈጢሩን ክሳብ ንናይ ተጋደልቲ ናይ ኵናት ድልውነት ጸልዩን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ንኣስታት ክልተ ወርሒ ኣብ **"ሮራ መንሳዕ"** **"ኣግዓሮ"** ኣብ ዝተባህለ ቦታ ዓስኪረን። ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ ዝተካየደ ቀንዲ ንጥፈታት ከኣ ንጉዳይ ተቓወምቲ ኵናት ምፍታሕ ነይሩ። ብብዙሓት ካብ ወተሃደራውያን መራሕቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝቓወሙ ብርቱዕ መቕጻዕቲ ክግበር ዝጠልቡ'ኳ እንተነበሩ፡ መሪሕነት ግን ተመኩሮኦም ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ሓድሽ ስለዘነበረ፡ ጉዳዮም ብፖለቲካዊ ዓይኒ'ዩ ርእዩዎ። ብልክዕ ከኣ እቶም ተቓወምቲ በቲ ዝፈጸምዎ ይቕሬታ ብምሕታት ጉዳዮም ከም ዝፍታሕ ኮይኑ ናብ ኣሃዱታቶም ተመሊሶም።

ካብቲ ዘገርም፡ እቲ ሽግር ድሕሪ ምፍትሑን እቶም ዘቓወሙ ዝነበሩ ናብ ኣሃዱታቶም ምስ ተመልሱን፡ ዝመጽእ ውጽኢት ብዘየገድስ፡ ናብቲ ዝነበርዎ ከባቢታት ክምለሱ እቶም ትማሊ ውግእ ዝነጽጉ ዝነበሩ ካብቶም ብጽኑዕ ዝጠልቡ ኮይኖም። በታ ኣብቲ ግዜ መሪሕነት ዝቆመታ "**ናጸ ሰሌዳ**" ዝስማ ንኹሉ ርእይቶታት ክፉት ዝኾነ መዓልታዊት ናይ መንደቕ ጋዜጣ ኣቢሎም ከኣ ንመሪሕነት ክሓቱን ክህውኩን ጀሚሮም።

ድሕሪ ዳግመ ስርርዕን ናብ ሓማሴን ንምምላስ ዝነበረ ድልውነት ድሕረ ምርግጋጽን ድማ ናብ **"ሃዘጋን"** "**ዓዲ ቢደልን"** ኣሃዱታት ተላኢኸን። ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ክልቲኡ ወገን ግጭት ንኸይመጽእ ተባሂሉ ከኣ ብመጠኑ ካብ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ርሕቕ ዝበለ ከባቢታት ኢዩ ተመሪጹ።

እንተኾነ ግን ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ክፍላ ታሕሳስ 1974 ኣብ **"ዓዲ ቢደል"** ኣብ ልዕሊ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. መጥቃቲ ኣካይደን። ዕላማኣን ኣብ ምርግጋጽ ስለዝፈሸላ ግን ክሳብ ናብ ስግር'ቲ ቀንዲ ጽርግያ ኣስመራ - ከረን ከዝልቓ ተገዲደን።

ኵናት **"ዓዲ ቢደል"** ናይቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ንክልተ ዓመትን ትሽዓተ ወርሕን ዝቀጸለ ወተሃደራዊ ግጥማት መደምደምታ ኢዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ውድባት ርክባት ዝፈጠረ ምዕባለታት መጺኡ ። ንጸላኢ ብሓባር ንምምካት ምውህሃድ ተገይሩ። ሽግራቶም ብዘተ ክፈትሕዎ ድማ ተሰማሚዖም። ነዚ ኣብ ዝምድና ክልቲኡ ውድባት ዝተራኣየ ሓድሽ ምዕባለ እዚ፡ ኣብ ዝስዕብ ጽሑፍና ብዝርዝር ከነቕርቦ ኢና።

# 8. ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስራሕ 1972 - 1974

- **ፖለቲካውን ስርዒታውን ስራሕ፣** ሓደ ካብቲ ቀንዲ ሽግራት ሰውራ፡ ትሑት ፖለቲካዊ ንቕሓት ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ምዃኑ ደሞክራስያዊ ሰልፊ ዕዮ ኤርትራ ምሉእ ዕግበት ነይሩዎ። ስልፊ ዕዮ ድኽመት ፖለቲካዊ ስራሕ ነቲ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ሰውራ ንምውሓስ ኮነ ኢሉ ንድሑር ክውንነት ንምምዝማዝ ፖለቲካዊ ስራሕ ሽለል ዝበለ ላዕለዋይ ባይቶ ኢዩ ዘሰክሞ ዝነበረ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ

ውሽጢ ካድራት ውድብ ዝካየድ ዝነበረ ክትዕት፡ ብፍላይ ድሕሪ ዶክቶር ይሕያ ዝጸሓፎ መደብ፡ ነቲ ብሰንኪ ኣቓውማ ወታሃደራዊ ክፍልታት ግዳይ ናይ ወገናዊ ኣታሓሳስባ ዝኾነ ተጋዳላይ ሓራ ንምውጻእ'ዩ ነይሩ። ከምቲ ዝራኣናዮ፡ ሰልፊ ዕዮ እዚ ክትዕ እዚ ኣብ ምምሕዳር፡ ዝተለለየ ተራ ነይርዎ።

ስለዚ ከኣ ሰልፊ፡ ድሕሪ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብመሰረት ውሳኔታት ጉባኤ፡ ብመገዲ ፖለቲካዊ ኀስጓስ ንተጋደልቲ ብሃገራዊ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባታት ኣንቂሕካ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ሰፊኑ ዝነበረ ጉጉይ ኣተሓሳስባታት ምእራም ተገዲሱ ዝሓዞ መደብ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ድማ ሰልፊ ዕዮ ንሓደ ካብቶም ቀንዲ መራሕቱን መሰረቱን ዝኾነ ኣዜን ያሲን ኣብ ፋጻሚት ሽማግለ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ገበሮ። ከምኡ'ውን ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ እተን 12 ክፍሊ ምምሕዳራት ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ኮሚሽነራት ከም ዝመርሕዎን ገበረ።

ቤት ጽሕፈት ዜና፡ ቀዳማይ ሕታማ ኣብ 1 ሓምለ 1972 ብቛንቛ ዓረብ ዝወጸት **"ገድሊ ኤርትራ"** ዝተሰምየት ወርሓዊ መጽሄት ክሓትም ጀሚሩ። እዛ ኣብቲ ኣብ ክፍላ ጥሪ 1972 ኣብ **"ሸቫሕ"** ካብ ከተማ ኣቖርደት ብወገን ሰሜን እትርከብ፡ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ክትወጽእ ዝተወሰነት መጽሄት ምኽንያት ምድንጓያ፡ እቲ ኣኼባ ካብ ወጻኢ ንኽግዛእ ዝወሰኖ መሳርሒታት ሕትመት ስለዝተደናጎየ ኢዩ።

መጽሄት **"ገድሊ ኤርትራ"** ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ 1961 ካብ ዝጀምር ንመጀመርታ ኣብ ሜዳ ዝወጸት መጽሄት ኢያ ነይራ። እታ ቅድሚኣ ዝነበረት እንኮ መጽሄት እታ ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ በይሩት፡ ትወጽእ ዝነበረትን ቀንዲ ኣተኩሮኣ ናብ ፈተውቲ ሰውራ ዝቐንዐን መጽሄት **"ሰውራ"** ኢያ ነይራ።

እቲ ቀንዲ መጽሄት **"ገድሊ ኤርትራ"** ካብ 1972 ክሳብ 1974 ኣተኩራትሉ ዝነበረት ኣርእስቲታት፡ ነቲ ከም ፍሉይ ምዕባለ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝቑጸር **"ኵናት ሓድሕድ"** ምኽንያታት ምቅራብ፡ ብመሰረት ሃገራዊ ደሞክራስያዊ መስመር ሰልፊ፡ ፖለቲካዊ ኀስጓስ ምክያድን ምስ ጸላኢ ኢትዮጵያ ዝኻየድ ዘሎ ቃልሲ ብዝምልከት ሓበሬታታት ምዝርጋሕን ኢዩ ነይሩ።

ሕቶ ወተሃደራዊ **"ቅንጸላ"** ግዝያዊ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። በዚ መልክዕ'ዚ ኣብ ኩሉ ሕታማት ናይታ መጽሄት ሰፊሕ ሽፋን ተገይርሉ ኢዩ። ወተሃደራዊ ህላወ ህ.ሓ.ሓ. ከብቅዕ ብዘይምክኣሉን ኵናት ብምቅጻሉን እቲ ጉዳይ ቀዳምነት ይወሃቦ ነይሩ። ንኩሉ'ቲ ምስቲ ጉዳይ ዝተኣሳሰር ምዕባለታት ድማ ንሓቅነት ናይቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝወሰደቶ ምርጫ ብዘረጋግጽ ይዝረበሉ ነይሩ። ቀንዲ ጠንቂ ምቅልቃል ምፍንጫላት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ላዕለዋይ ባይቶ ፡ብፍላይ ከኣ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኢዩ ካብ ዝብል እምነት ብምብጋስ፡ መጽሄት **"ገድሊ ኤርትራ"** ንታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ናይቲ ምፍንጫላትን ተራ ላዕለዋይ ባይቶን ኣባላቱን ብሰፊሑ ትገልጾ ነይራ ኢያ። በዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት እታ መጽሄት ካብ ዝጸሓፈቶ ቀንዲ ዓንቀጻት ከኣ፡ **"ምቅንጻል ሓሙሻይ መስርዕ፡ ጽባሕ ዘይኮነስ ሎሚ፣" "ፖለቲካዊ ዕርቃንን፡ ኣዋጅ ኣርባዕተ ኣባላት ጠቅላሊ መሪሕነት ነበርን"** (ያበላውያን)፡ **"ዘተ"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲታት ብተኻታታሊ ዝወጸ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣርእስቲታት'ዚ ኣብ ብርክት ዝበለ ክፋላት ቀሪቡ ነይሩ።[165]

እንተ ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ፡ እታ መጽሄት ኣብ ክልተ ጉዳያት ኢያ ኣተኩራ። ቀዳማይ፡ ምግላጽን ምብራህን ውሳኔታት ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ካልኣይ

[165] ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝያዳ መብርሂ ዝደሊ ንመጽሄት "ገድሊ ኤርትራ" ክውከስ ይኽእል።

ድማ ብዛዕባ ገለ ምስ ሰውራ ዝተኣሳሰር ማርክሳዊ ክለሳ ሓሳባት፡ ከም ደርባዊ ቃልሲ፡ ትርጉም ሓይሊ ሰውራን ካልእን ኣብ ፍሉይ **"ፖለቲካዊ መዝገበ ቃላት"** ዝተሰምየ ዓምዲ ምግላጽን ምልላይን ነይሩ። እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ብፍላይ በቶም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሩ ዓቃባውያን ከም ብሰልፊ ዕዮ ስነ-ሓሳቡ ንምዝርጋሕን ኣብ መስርዑ ዝያዳ ኣባላት ንምኽሳብን ኮነ ኢሉ ዝገብሩ ዘሎ'ዩ ተባሂሉ ይግለጽ ነይሩ።

መጽሄት **"ገድሊ ኤርትራ"** በቲ ዝነበረ ውሑድ ዓቕሚ ብውሑድ መጠን ትወጽእ እኳ እንተነበረት፡ በቲ እተልዕሎ ዝነበረት ኣርእስቲታት፡ ቅድሚኣ ኣብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ዜናዊ ስራሕ ብዘይምንባሩን ብዙሓት ዘይፍልጥዎ እተቕርቦ ዝነበረት ሓድሽ ሓበሬታታትን ብኣባላት ተ.ሓ.ኤን ተጻረርታን ሰፊሕ ተገዳስነት ትረክብ ነይራ።

እንተ ኣብ ስርዒታዊ መዳይ፡ ሰልፊ ዕዮ ካብ ፖለቲካዊ እምነቱ ተበጊሱ ንሰውራ ዝድግፍ ሓፋሽ ኤርትራ ብደርባውን ማሕበራውን ኣቋውማታቱ ክውደብ ከም ዘለዎ ኢዩ ዝርኢ ነይሩ። እቲ ዕላማ ከኣ፡ ምእንቲ ናጽነት ዝካየድ ቃልሲ ኣብ መጨረሽታ ንረብሓ ናይቶም ብመግዛእቲ ዝተንድኡ ደርቢታትን ማሕበራዊ ክፍልታትን ንምግልጋል ስለዝኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ሓፋሻዊ ሃገራዊ ንቕሓት፡ ደርባውን ማሕበራውን ንቕሓት ምምዕባል ኢዩ። ንሳቶም ከኣ፡ ከምቲ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ ዝወሰኖ፡ ካብ ደርቢታት፣ ሓረስቶት፡ ሰራሕተኛታትን ክኾኑ ከለው፡ ማሕበራዊ ክፍልታት ከኣ ከም ደቂ-ኣንስትዮን ተማሃሮን ኢዮም። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ሃገራዊ ጉባኤ ነቲ ኣብ 1969 ዝቖመ ጠቕላላ ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራ ክፈልጦ ከሎ፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ሓረስቶትን ድማ ክቖሙ ወሲኑ። ብጉዳይ ምቛም እዘን ሓደስቲ ማሕበራት ብዝምልከት፡ ውሳኔ ጉባኤ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

"1. **ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሓፋሽ ውድባት መስርሕ ምቛም ናይዘን ዝስዕባ ማሕበራት ክከታተል ተመዚዙ፣**

**ሀ. ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡**

**ለ. ጠቕላላ ማሕበር ሓረስቶት ኤርትራውያን፡**

**ሐ. ጠቕላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ**[166]**፡**

2. **ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፖለቲካዊ ኀስጓስ፡ ትምህርቲን ባህሊን ድማ ዕላማታትን ኣገባብ ስራሕን ማሕበራታ ብምብራህን ምንስጓስን ኣብ ምቛመን ይሳተፍ።**[167]

3. **እዘን ማሕበራት እዚኣተን ኣብ ኤርትራ እንተ ነውሐ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፡ ኣብ ወጻኢ ከኣ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ይቖማ።**

4. **እዘን ማሕበራት እዚኣተን ምስ ተመስረታ፡ ብመገዲ ቤት ጽሕፈት ሓፋሽ ውድባት ኣብ መንጎኣንን ፖለቲካዊ ኮሚሽነራትን ወከልቲ ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢን ዝህሉ ርክባት ይውስን።"**

ፈጻሚት ሽማግለ ኣብቲ ብጥሪ 1972 ኣብ "ሸሻሕ" ዘካየደቶ ቀዳማይ ኣኼባኣ ምቛም ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ደቂ-ኣንስትዮን ክጅመር ወሲና። ንኣመስራርታኣን ዝምልከት ንድፍታት ብምድላው ድማ ንኸጽደቖ ናብ ሰውራዊ ባይቶ ኣሕሊፋቶ።

---

[166] ኣብ ፈጻኢት ሽማግለ ሓላፊ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ማሕሙድ ሙሓመድ ኢብራሂም(ቸኪኒ) ኢዩ ነይሩ።

[167] ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሑመድ ሙሓመድ ስዒድ ኩሉ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ መስዋእቲ ናይ ቸኪኒ እቲ ስራሕ ንሑመድ ኩሉ ተዋሂብዎ ብናቱ ምክትታል ከኣ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ሰደተኛታትን ቋይመን።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ወተሃደራዊ ህላወ ህ.ሓ.ሓን "ያበልን" እንተ ድኣ ተኣልዩ፡ ነዘን ክልተ ማሕበራት ኣብ ምምስራትን፡ እቶም ኣባልነት ዝምልከቶም ናብእታተን ኣብ ምጽንባርን ምቹእ ኩነታት ክፈጥር ይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣንጻር ህ.ሓ.ሓ. እቲ ኵናት ስለዝቐጸለ፡ ምምስራት ሓፋሽ ውድባት ንዘይተፈልጠ ተወንዚፉ።

ሓደ ካብቲ ብወገን ሓፋሽ፡ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ፡ ምቅጻል "ኵናት ሓድሕድ" ዝፈጠሮ፡ ውሑድ ተርእዮታት ገዲፍካ፡ ኣብቲ ኣብ ግዜ ምፍንጫል ዝተወሰነ መርገጺታት ምጽናዑ ኢዩ። ስለዚ ካብ መሳርዕ ሓፋሽ ኣብ ወገንካ ናይ ምኽሳብ ጉዳይ ነዊሕ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝሓትትን ኣብ መጨረሽታ፡ ንዕብለላ ፖለቲካዊ መስመሩ ከረጋግጽን ክዕግብን ዝኽእል ወገን ዝዕወተሉን ኮይኑ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ መጽሔት "ገድሊ ኤርትራ" ብተደጋጋሚ ዝገለጾ ኢዩ ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ድማ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከም ሓደ ኣገባብ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ንምምስራትን ብኡኡ ኣቢሉ ፖለቲካዊ ንቕሓት ስራሕተኛታት ንምምዕባል ክሰርሕን ወሲኑ።

መስራቲ ጉባኤ ጠቅላሊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ካብ 31/8-5/9/1973 ኣብ ሓራ መሬት ተኻይዱ። ዝምራሓሉ ቅዋም ብምጽዳቅ ከኣ ብኣባል ሰልፊ ዕዮ ዓሊ ዑስማን ሕንጢ ዝምራሕ መሪሕነት ድማ መሪጹ። ነቲ ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ንሰራሕተኛታት ዝተሓዝአ ቦታ ንምምላእ ከኣ መሪሕነት ማሕበር ንኣቦ መንበሩ ንኣባልነት ሰውራዊ ባይቶ መሪጹ። ስለዚ፡ ብመሰረት ውሳኔ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ዓሊ ሕንጢ ብመሪሕነት ማሕበር ተመሪጹ መበል 14 ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ ዝነበረ ኩነታት ሰራሕተኛታት ገለ ንኽይንቅርብ ቅዋም ናይቲ ማሕበር ክንረኽቦ ኣይከኣልናን። ይኹን'ምበር ብሓፈሽኡ፡ ብዛዕባ ሓንቲ ነዊሕ ክትዕ ዝተኻየደላ ጉዳይ ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለየ ኩነታት ኢዩ ዝነብር ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሰሪሑ ዝነብር ሰራሕተኛ፡ ኣብ ወጻኢ፡ ሃገራውያን ማሕበራት ሰራሕተኛታት እተፍቅድን ንሰደተኛታት ናታቶም ማሕበር ክህልዎም ዘየፍቅዳን ሃገራት ዝነብር ሰራሕተኛ፡ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ማሕበር ክህሉ ኣብ ዘየፍቅዳ ሃገራት ዝነብር ሰራሕተኛ ኢዩ። ገድሊ ኤርትራ፡ እዚ ረቛሒታት'ዚ ብዘየገድስ፡ ንምእንቲ ሓርነት ዝካየድ ገድሊ ስለዝነበረ፡ መሰረታዊ ዕማም ሰራሕተኛታት ንመስርሕ ቃልሲ ንቕድሚት ንምድራኽ ንኩሉ ዓቕሚታት ሰራሕተኛታት ምውዳብ ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ እዚ ዕላማ'ዚ ካብቲ ዕላማታት ማሕበር ቀዳምነት ሒዙ ነይሩ።

ድሕሪ ሓደ ዓመት ከኣ፡ ኣብ ሰነ 1974 ዓ.ም መስራቲ ጉባኤ ጠቅላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ከተማ ከሰላ ሱዳን ተቓኒዑ፡ ምቛም ማሕበር ተኣዊጁ።

እቲ ካብ 23 ክሳብ 27 ሰነ 1974 ዝተኻየደ ጉባኤ ቅዋም ማሕበር ብምጽዳቅ፡ ምምሕዳራዊ ኣካል ዝተሰምየት ብኣባል ሰልፊ ዕዩ ኣምና ሙሓመድ ዓሊ መለኪን እትምራሕ መሪሕነት መሪጹ። ከምቲ መሪሕነት ሰራሕተኛታት ዝገበሮ ድማ፡ መሪሕነት ጠቅላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ንኣደ መንበሩ ነቲ ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ዝተሓዘአለን ቦታ ንምሓዝ መሪጹዋ።

- **ወተሃደራዊ ስራሕ፡** እዚ መድረኽዚ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ርኡይ ዝሕታለ ዝተራእየሉ ኢዩ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. ኣብ መደብ "**ቅንጸላ**" ምትካራ ምስቲ ሽዑ ዝነበረ መጠን ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንብዙሓት ኣሃዱታት ኣብቲ ወፍሪ ኣደስኪሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ብቀደሙ እውን ውሑድ ዝነበረ ኩሉ ዓይነታት ጠያይቲ

እውን ኣንጊፍዎ። ዋላ እቲ ውሑድ ጠቅላላ መሪሕነት ዝረኸቦ ጠያይቲ እውን እንተኾነ ምንጩ እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ብብረትን ጠያይቲን ዝተሓገዘ ስሉሳዊ ሓድነት ኢዩ ነይሩ። እንተ'ተን ካብ ኩሉ ዓይነታት ሓገዝ ተሓሪመን ዝነበራ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ክፍልታት፡ ሽግራተን ካብ 1968 ዓ.ም ዝጀመረ ኢዩ። እታ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ ጉባኤ ዓግን መደባቱ ብምስራዕ ብዕሽሉ እንከሎ ክገጥሞ ዝመረጸ ጠቅላሊ መሪሕነት ግን ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ካብ ወጻኢ ኣይረኸበን። እቲ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መጨረሽታ 1972 ዝረኸቦ ውሑድ ጠያይቲ ድማ ኣብቲ ኣብ ለካቲት 1973 ዝተኻየደ ኵናት “ገረግር” ተወዲኡ ኢዩ።

እዚ መሰረታዊ ረቛሒታት'ዚ ድማ ነቲ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ክገብሮ ዝኽእል ዝነበረ ወተሃደራዊ ስርሓት ኣንጻር ጸላኢ ከምዝዳኸም ገይርዎ። ምስዚ ኩሉ ግን ወታሃደራዊ ስርሒታት ምሉእ ብምሉእ ደው ኣይበለን።

ተ.ሓ.ኤ ኣብቲ ጸላኢ ዝነጥፈሉ ከባቢታት፡ ኣብ ከም ከባቢታት ዓበይቲ ከተማታት፡ ኣሃዱታት ዓቂባ ነይራ ኢያ። እቲ ዕላማ ከኣ ጸላኢ ኣብ ገጠራት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ንብረቱን ሓድሽ ህልቂት ንኸይፍጽም ብማለት ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ነዚ ሽነኽ'ዚ ንምሕላው ብሓደ ወገን፡ እተን ክህረማ ዝድለያ ዝነበራ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣቃሊልካ ይረኣያ ስለዝነበራ ከኣ በቲ ሓደ ወገን፡ ኣብ መጀመርታ “ኵናት ሓድሕድ“ ብዙሓት ኣሃዱታት ኣየሰለፈትን። እተን ዝተረፋ ኣሃዱታት፡ ኣብ ዝንቀሳቐሳሉ ዝነበራ ከባቢታት ምስ ጸላኢ ይገጥማ ነይረን። ከምኡውን ንቃፍላያት ጸላኢ ዓላማ ዝገበረ ሰርሒታት የካይዳን ደረጃታቱ ዝፈላለ ክሳራታት የውርዳሉን ነይርን።

እታ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣተኵራ ትጽሕፍ ዝነበረት መጽሄት **“ገድሊ ኤርትራ”** ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ስርሒታትን ውጽኢቱን ተቅርብ ነይራ ኢያ።

ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብቲ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣብ ውሽጢ ዝለሓኾሉ እዋን ጀሚሩ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ሽግራቱ ካብ መሳርዑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተጋደልቲ ይኸድዎ ምንባሩ ኢዩ። እዚ ተርእዮ እዚ ድማ ንምስላፍ መንእሰያት ከም ዝዳኸም ይገብሮ ነይሩ። እቲ ኣብ ቁጽሪ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝዓበየ ምንቁልቋል ዝተራእየሉ ግዜ፡ ኣብ መጀመርታ 1970 ክሳብ ክፍላ 1971 ዘሎ ግዜ ኢዩ ነይሩ። እዚ እዋን'ዚ ከኣ ተርእዮ ምፍንጫላትን ምቅልቓል ሓደስቲ ውድባት ዝሓየለሉን ኢዩ። ካብቲ ቀንዲ ኣብቲ እዋን'ቲ ንቁጽሪ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዘንድል ዝነበረ ጠንቂታት ከኣ፣

- ምፍንጫል ሓደስቲ ውድባትን ናብኣታተን ምጽንባርን፡
- ብሰንኪ'ቲ **“ያበላውያን”** ዝፈጸምዎ ናይ መስንግ ስርሒት ብቁጽሮም ውሑዳት ዘይኮኑ ተጋደልቲ ናብ ዓዲታቶም ምኻዶም፡
- ሓድነት ሰራዊት ኣብ ምርግጋጽን ንሰውራ ቅኑዕ መስመሩ ኣብ ምትሓዝን ተስፋ ብምጥፍእ ንቃልሲ ምግዳፍ።

ከምዚ ኢሉ ከኣ፡ እተን ድሕሪ ጉባኤ **“ኣዶብሓ”** ኣብ ግዜ ምትሕንፋጽ ነፍሲ ወከፈን 133 ተጋደልቲ ዝነበርወን ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ.፡ ኣብ ክፍላ 1971 ብማእከላይ ገምጋም ናብ ኣስታት 90 ተጋደልቲ ኣንቆልቊለን። ኣብ ሱዳን ቃልሲ ገዲፎም ዝኸዱ ተጋደልቲ ብብዝሒ ስለዝነበሩ ከኣ፡ ሓደ ምንጪ ወሰኽ ቁጽሪ **“ተፈንጨልቲ”** ውድባት ኮይኖም። ኣቡጥያራ ኣብ ባርካ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ነቲ ውሑድ ዝነበረ ኣሃድኡ ካብቶም ኣብ ሱዳን ኣብቲ እዋን'ቲ **“ደስከልቲ”** ዝበሃሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ እናምጽአ ኣሃድኡ ከመይ ገይሩ ከም ዘዕበዮ ተዕዚብና ኢና። **“ያበላውያን”** እውን እንተኾኑ እቲ ኣብ ባርካ ዝነበረ ወተሃደራዊ ክንፎም ኢዱ ምስ ሃበ፡ ካብ ሱዳን

እናውጽኡ ኣብ ሳሕል ወተሃደራዊ ክንፊ ከምዝህልዎም ገይሮም ኢዮም። ብተመሳሳሊ እቲ፡ ብፍላይ ኣብ ፖርትሱዳን ዝነጥፍ ዝነበረ ህ.ሓ.ሓ. እውን ካብ ሱዳን ገለ ዓቕሚ ረኺቡ ኢዩ።

ካልእ ንቁጽሪ ሰራዊት ሓርነት ዘውሓደ ረቛሒ ከኣ ኣብ "ኵናት ሓድሕድ" ዘጋጥም ዝነበረ መስዋእትን መውጋእትን ኢዩ። ኣብዚ እቲ ብዝሒ ምቅራብ ኣጸጋሚ እንተኾነ ውሑድ ግን ኣይነበረን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ናብ ቃልሲ ናይ ምስላፍ ድሌት በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ኢዩ ወሪዱ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ንሰውራ ብቀጻሊ ዝምግብ ዝነበረ ምዕራባውን ምብራቓውን ሰሜናውን ቆላታትን ገለ ክፋል ምብራቓዊ ከበሳታትን በዚ ዝተጠቕሰ ፖለቲካዊ ኩነታትን በቲ ኣብ 1967 ንመብዛሕትኡ፡ ኣብ 1970 ድማ ነቲ ዝተረፈ ብጸላኢ ኣብ ሂወቱን ንብረቱን ዘጋጠሞ ጃምላዊ ህልቂት ንሱዳን ስለዝተሰደን ዳርጋ ዝነጸፈ ምንጪ ኢዩ ኮይኑ። መብዛሕትኦም መንእሰያት ኣብ ስደት ስድራቤቶም ኣብ ምእላይን ጸገማት መነባብሮኦም ኣብ ምቅላልን ከም ዝተኩሩ ኮይኖም። እዚ ክውንነት'ዚ ድማ መንእሰያት ናብ መሳርዕ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንኸይስላፉ ብኣሉታ ይጸልዎም ነይሩ።

በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ኩነታት ድማ እቲ እንኮ "**ተፈንጨልቲ**" ውድባት ዝቐድሕሉ ዓይኒ እቲ ናይ "**ደስከልቲ**" ዓይኒ ኣብ ሱዳን ጥራይ ኮይኑ። እዚ ናብ ቃልሲ ናይ ዘይምስላፍ ክውንነት ድማ ሓደ ካብቲ ንህ.ሓ.ሓ. ናብ ጎቦታት ሳሕል ድሕሪ ምዕቛቡ ክይጸንት ኣሰጊኡዎ ዝነበረ ክውንነት ኢዩ ነይሩ።

በዚ ምኽንያታት እዚ ከኣ፡ እዚ ንዛረበሉ ዘሎና ግዜ ብወተሃደራዊ መዳይ፡ ማለት ኣንጻር ጸላኢ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ፡ ሰራዊት ሓርነት ርኡይ ድኽመት ዘርኣየሉ ኢዩ ነይሩ።

# 9. ምዕባለ ኩነታት ኢትዮጵያን ጽልዋኡ ኣብ ኤርትራን

መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ብዘይተጸበዮ ኣገባብ ኣብ ኢትዮጵያ ሃንደበታዊ ምዕባለታት መጺኡ። እቲ ካብ ለካቲት 1974 ጀሚሩ ክሳብ ጥቃ መጨረሽታ ናይቲ ዓመት'ቲ ዝቐጸለ ተኸታታሊ ቅልጡፍ ምዕባለታት ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ኣብ ኤርትራ ዘገርም ውጽኢት ኢዩ ኣምጺኡ። እቲ ኩሉ ምዕባለታት ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ምእላይ ንጉስዊ ስርዓት ሃይለስላሰን ብታሕተዎት ወተሃደራዊ መኮንናት ዝቆመ ግዝያዊ ምምሕዳራዊ ወተሃደራዊ ባይቶ "**ደርግ**" ዝተሰምየ ስልጣን ምሓዙን እዩ እንተ ኣምጽእ፡ ነፍሲ ወከፍ ውጽኢት ናይቲ ምዕባለታት፡ ክሳብ ጥቃ'ታ ዝተፈጸመላ ህሞት ክኸውን ከም ዘይክእል ኢዩ ዝመስል ነይሩ።

እዚ ዝስዕብ ከኣ እቲ ቀንዲ ውጽኢታት ኢዩ ነይሩ።

- ንጉስ ሃይለስላሰ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ምውዳቑን ካብ ህላወ ምጥፍኡን።
- 62 ካብ'ቶም ቀንዲ ሰበ ስልጣን ንጉሳዊ ስርዓት ዝነበሩ ካብ ባእታታት ንጉስዊ ቤተሰብን ሚኒስተራትን ላዕለዎት መሳፍንቲን "**ደርግ**" ኣንጻሮም ብዝወሰዶ ጃምላዊ ህልቂት ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ካብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኢትዮጵያ ምልጋሶም።[168]

---

[168] ካብቶም ሸው ዝተቀትሉ

* ኤርትራዊ ጀነራል "ኣማን ዓንዶም" ናይቲ ራዲካላዊ ሰውራ ኣቦ መንበር ኮይኑ ምምራሑን፡ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ምቅታሉን።
* ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ምእዋጁ።

እዚ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝተፈጸመ ምዕባለታት'ዚ ነጸብራቑ ኣብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከበሳ ዓቢ፡ ውጽኢቱ ድማ ድራማቲካዊ ኢዩ ነይሩ። እዚኽ ከመይ ነይሩ? እንታይ ከ ተፈጺሙ?

እዚ ዓቢ ምዕባለታት'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ቅድሚ ምፍጻሙ፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትር ብዙሓት ዜጋታት ሰውራ ንምምካት፡ ግስጋስኡ ናብ ከበሳ ንምዕጋትን ናይ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ደገፍ ከምዘይረክብ ንምግባርን ብረት ጸላኢ ዓጢቆም ነይሩም። ብሰንኪ'ዚ ክውንነት'ዚ ከኣ ብሓፈሽኡ ከበሳ ኣብ ቅድሚ ሰውራ ዕጹው ኢዩ ነይሩ። ብወገን ሰውራ ኣብኡ ዝካየድ ዝነበረ ስራሕ ድማ ብምስጢራውን ብሃገራውያን ዜጋታት እናተደገፉ ፖለቲካዊ ስራሕ ዘካይድ ንኣሽቱ ጉጅለታት ኢዩ ዝፍጸም ነይሩ።

እንተ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ኣብ ከበሳ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዋና ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ ውሽጢ መንግስታዊ ትካላት ከም ሓይልታት ኮማንድስን ፖሊስን ካልኦት መንግስታዊ ትካላትን ናይ ተጻብኦ መርገጺ ኣብ ልዕሊ ሰውራ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሽጢ ተማሃሮን ካልኦት ምሁራት መንእሰያት ክፍሊ ሕብረተሰብን ግን ንሰውራ ዝድግፍ መርገጺታት ነይሩ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት ድማ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ (ሳንታ ፋሚልያ) ኣብ ውሽጢ ተማሃሮን ካልኦት ክፍሊ ሕብረተሰብን ሃገራዊ ንቅሓት ኣብ ምዝርጋሕ ብሉጽ ተራ ነይርዎም።

ሓፋሽ ህዝቢ ከበሳ ኣብ ሰውራ ዘይምጽንባሩን ኣብ ብዙሕ ዓዲታት ብረት ጸላኢ ምዕጣቑን ሓደ ካብቲ ንተ.ሓ.ኤን መሪሕነቱን ካድራቱን ዘጋጥም ዝነበረ ዓቢ ሽግር ኢዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ዓወት ዕላማታት ሰውራ ብምትእስሳሩ ንኩሉ ዘሻቅል ዝነበረ ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ተ.ሓ.ኤ. እተካይዶ ኣኼባ ዝለዓል ዝነበረ ኣርእስቲ ድማ ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብቲ ተ.ሓ.ኤ. ዘካየደቶ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ እዚ ጉዳይ'ዚ ዓሚቕ ክትዕ ተኻይድሉ። **"ሽግር ዕጡቓት ዓዲታት ኣብ ከበሳታት ኤርትራ"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ እቲ ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

**"ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ክውንነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሃጸይነትን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ንሓፋሽ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ምስ ሓይልታት ሰውራ ንምግጫው ዝዓለመ ውጥናቱ ብንቅሓት ብምርዳእንን ኣብ ውሽጢ'ቲ ህዝቢ ስሩዕ ፖለቲካዊ ስራሕ ከምዘይተኻየደ ብምስትብሃልን ነዚ ዝስዕብ ወሲኑ።**

1. **ንፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ዘብርህን ንሓሶታት መግዛእታዊ ጸላኢ ዘቓልዕን ብብቑዓት ተጋደልቲ ዝፍጸም ጽዑቕ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ኣብ ህዝቢ ከበሳ ኤርትራ ምኻያድ።**
2. **ጎኒ ጎኒ ፖለቲካዊ ስራሕ ንፖለቲካውን ወተሃደራውን ቁጠባውን ኩነታት ናይቲ ቦታ ኣብ ግምት ዘእትው ወተሃደራዊ ስራሕ ምውዳብ።"**

ካብ 1970 ክሳብ 1974 ኣብ ከበሳ ዝነጥፉ ዝነበሩ ሓይልታት ሰውራ፡ ተ.ሓ.ኤን **"ጉጅለ ዓላን"** ኢዮም ነይሮም። ንዕላማታት ሰውራ ኣብቲ ቦታ ኣብ ምዝርጋሕ ድማ ዓቢ ተገዳስነት ሂቦም ይሰርሑ ነይሮም። ናይ **"ጉጅለ ዓላ"** ክሳብ ኣዲስ ኣበባ

---

| | |
|---|---|
| * ኣኽሊሉ ሃብተወልድ | ቀዳማይ ሚኒስተር |
| * ጀነራል ኣብየ ኣበበ | ኣማሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረን ኣብ ሓምለ 1962 ኣብ ናይ ኣቁርደት ናይ ቦምባ ስርሒት ዝተወግኣን |
| * ኣስራተ ካሳ | ኣማሓዳሪ ኤርትራ ኣብ 1960ታት ዝነበረ። |

ዝተዘርግሐ ንጥፈታት ድማ ንረብሓ ሰውራ ኣወንታዊ መቐይሮ ኣምጺኡ። ከምኡውን ተ.ሓ.ኤ. ነዚ ጉዳይ'ዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ቀዳምነታት ብምውሳድ፡ ድሕሪ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ኣሰመራን ኣብ ውሽጢ ትምህርታዊ ትካላታን፡ ብቀዳምነት ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ፡ ንጡፍ ተራ ተጻዊታ። ከም ውጽኢት ናይቲ ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ መንእሰያት ኣብ ተ.ሓ.ኤን ኣብቲ ዝዓበየ ብጽሒት ዝነበሮ "ጉጅለ ዓላ"ን ብውልቂን ብጉጅለታትን ክስለፉ ጀሚሮም። እዚ ናብ ሰውራ ናይ ምስላፍ ዝምባለ ድማ ዋላ ቅድሚ'ዚ እንዛረበሉ ዘሎና ምዕባለታት ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ ብቀጻሊ እናዛየደ ዝኸይድ ዝነበረ ኢዩ ነይሩ።

ምንቅስቓስ ወተሃደራውያን ኣብ ኢትዮጵያን ምውዳቅ ንጉሳዊ ስርዓትን እቶም ኣብ ስልጣን ዝደየቡ ሓደስቲ ዘልዓልዎ ናይ ሓርነት ሓሳባትን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ስምዒታት ኣላዓዒሉ። እቲ ኣብ ውሽጢ ተዓፊኑ ዝነበረ ናይ ሓርነት ተስፋን ካብ ታሪኻዊ ብሄራውን ደርባውን ዓመጽ ናይ ምግልጋል ድሌታት ገንፊሉ። እንተ ጽልዋኡ ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት፡ እቶም ምስቲ ስርዓት ተኣሳሲሮም ዝነበሩ ሓይልታት ብሓንሳብ ናብ ሰውራ ተሰጋጊሮም። ብረት ጸላኢ ዓጢቐን ዝነበራ ዓዲታት ጸግዒ ሰውራ ወሲደን። ኣሽሓት መንእሰያት ካብ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ፡ ብቀዳምነት ከኣ ተማሃሮ፡ ናብ መስርዕ ሰውራ ተሰሊፎም። ከምኡውን ብርክት ዝበለ ቁጽሮም ካብ ሓይልታት ኮማንድስን ፖሊስን ምስ ዕጥቆም ናብ ሰውራ ተጸንቢሮም። ሓፋሽ ህዝቢ ከበሳ ድማ ኣብ ሰውራኡ ጢቢቑ ኩሉ ፋይናንስውን ምራላውን ሓገዛቱ ከበርክት ጀሚሩ።

ካብ ኩሉ'ቲ ምንቅስቓስ ወተሃደራውያን ዘምጽኦ ውጽኢታት ኣብ ኤርትራ ዓቢ ጽልዋ ዝገበረ ክልተ ውጽኢታት ነይሩ። ንሱ ከኣ፣

**ምፍራስ ንጉሳዊ ስርዓትን ምውዳቅ ንጉስን፡** ካብቲ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር እንግሊዝ ዝወደቐትሉ እዋን፡ ኩሉ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ፡ ንኤርትራ ብፈደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ምትእስሳር፡ ንፈደራላዊ ስርዓት ኣፍሪስካ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ምጽንባርን መበል 14 ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ ምግባርን፡ ናይ ንጉስ ሃይለስላሰን ንጉሳዊ ስርዓቱን ተራ ነይሩዎ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ እውን ኣብ ጎኒ ንጉሳዊ ሰርዓት ዝመረጸን ንዕኡ ተማእዚዙ ኣብ ምምሓው ኤርትራዊ መንነትን ንውጥናቱ ኣብ ምትግባር ዝደገፈን ንሰውራ ንነዊሕ ግዜ ዝመከተን ሓይሊ ነይሩ ኢዩ። በዚ ዝምድና'ዚ ድማ ረብሓታት ናይቶም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ኤርትራውያን ከም መራሕቲ ሓይልታት ኮማንድስን ፖሊስን ኣመሓዳርቲን ሰብ ርእሰማልን ማዕቢሉ፡ ንሳቶም ከኣ ዳርጋ ኣካል ናይቲ ንጉሳዊ ስርዓትን ንሱ ደው ዝበለሉ ዓንዲታትን ኮይኖም። ንጉስ ሃይለስለሳ ብወገኑ ነዚ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታት'ዚ ብዝግባእ ይሕልዎ ነይሩ ኢዩ። ሽመታትን ስጓታትን እናሃበ፡ ንሰብ ርእሰማል እናተባብዐ ኣብቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ ዘካየዶ ስሩዕ ዑደት ኣብ ኤርትራ ምስኣታቶም ብምርኻብ ንረብሓታቶም ዘገልግልን ኣብ ልዕሊ ስርዓቱን ኣመራርሕኡን ዘለዎም እምነት ዘደልድልን ውሳኔታት የሕልፍ ነይሩ።

ሕጂ ግን ነቲ እናበርትዐ ዝኸይድ ዝነበረ ጠለባትን ተጽዕኖታትን ናይ ንኣሽቱ ወተሃደራውያን መኮንናት ተደጋጋሚ ሕድገታት ዋላ እንተ ገበረ፡ ክወጾ ስለዘይከኣለ ንጉሳዊ ስርዓት ስለ ዝፈረሰን፡ ንጉስ ሃይለስላሰ እውን ህላወኡ ስለ ዝብቀዓን፡ ኤርትራዊ ሕልና ካብቲ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ስርዓታን ዝነበሮ ተማእዛዝነት ምሉእ ብምሉእ ሓራ ወጺኡ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኩሉ'ቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘተኣሳስሮ ዝነበረ ፖለቲካዊ፡ ወይ ሞራላዊ ወይ ታሪኻዊ ይኹን ካልእ፡ እቲ ናይቲ ምትእስሳር ኣውሓሲ ወይ ኣላዪ ዝነበረ ምስ ጠፍኣ ኣብቂዑ። ኤርትራውያን፡ ማለት

ማሕበር ኣንድነት፡ ኣብ መጨረሽታ ኣርብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን፡ ኣብ እዋን መድረኽ ርእሰ ውሳኔ፡ ጸግዒ ኢትዮጵያ ብምሓዝን ምስኣ ሓድነት ብምጥላብን ኣብ ምጥፋእ ሃገራዊ መሰሎም ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም ኢዮም። እዚ ናይ ሕጂ ምዕባለታት ድማ ነቲ ታሪኻዊ ጌጋ ንምእራም ዕድል ከሰተ። ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ከይተበገሰ ዝተቆጽየ ምእዋጅ ፌደረሽን ጀሚሩ ኣብ ትሕቲ ብለላ ኢትዮጵያ ዘሕለፎ ግፍዒን ዓመጽን ዝመልአ ተመኩሮ ወለዶ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ ይዕዘቦ ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ዝስዓበ ምዕባለታት ካብ ሃገራዊ ረብሓ ተበጊሱ ሓላፍነታዊ ስጉምቲ ንኽወስድ እቲ ተመኩሮ እኹል ኢዩ ነይሩ። ብልክዕ ከኣ ምስ ኢትዮጵያ መስረታዊ ዝኾነ ምብታኽ ገይሩ ኢዩ። ተራእዩ ዘይፈልጥን ሰፊሕን ሃገራዊ ሕብረት ዘውሓስ ጸግዒ ሰውራን ዕላማ ሃገራዊ ናጽነትን መሪጹ።

**ምቅልቓል ተርእዮ ኣማን ዓንዶምን ምጥፍኡን፡** ኤርትራዊ ጀነራል ኣማን ዓንዶም ሓደ ካብቶም ብወተሃደራዊ ተራኦም ፍሉጣት ዝኾኑ ጀነራላት ኣብ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ኣብ ውግእ ኢትዮጵያን ሶማልን ብ1964 ዝና ዝረኸበ ኢዩ። ምንቅስቓስ ወተሃደራት ምስ ተዓወተ ቀዳማይ ኣቦ መንበር ወተሃደራዊ ባይቶ **"ደርግ"** ኮይኑ። በዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ ቀዳማይ ኤርትራዊ ክኸውን ክኢሉ። እዚ ንባዕሉ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኤርትራ ኣቓልቦ ዝሳሓበ ምዕባለ ኢዩ ነይሩ።

ሓደ ኤርትራዊ ናብዚ ደራጃ ስልጣን'ዚ ንኽድይብ ዘገርም እኳ እንተኾነ፡ እቲ ሰብኣይ ንኢትዮጵያ ዘበርክቶ ዓቢ ስራሕን ኣብ ስርዓታ ዝነበሮ ተማእዛዝነትን ርኢኻ ግን ምስ ግዜ ክትቅበሎ ዝከኣል ኢዩ። እንተኾነ ግን **"ኣማን"** ብሰንኪ ክልተ ረቛሒታት ብሃንደበት ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ደሚቑን ፖለቲካዊ ተርእዮ ኮይኑን።

ቀዳማይ ረቛሒ፡ ንሱ ዝወሰዶ ክልተ ስጉምቲታት ኮይኑ፡ ቀዳማይ ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ባይቶ ሽግር ኤርትራ ብፖለቲካዊ ኣገባብ ክፍታሕ ኣለዎ ምብሉን ንፖለቲካዊ ፍታሕ ዕድል ንምሃብ ድማ ናብ ኤርትራ ተወሰኺ ሓይሊ ከይላኣኽ ምንጻጉን ኢዩ። ካልኣይ ከኣ ኣብ ኤርትራ፡ ምዕራባዊ ከተማታት ፍሉይ ተገዳስነት ዝረኸበሉ ካብ 26 ነሓሰ ክሳብ 5 መስከረም ዝቀጸለ ሰፊሕ ዑደት ምክያዱን ምስ ሓፋሽ ህዝብን ዓበይቲ ዓድን ምምይያጡን ኢዩ። እዚ ዑደት'ዚ፡ ብፍላይ ጠመተ ኤርትራውያን ናብኡ ስሒቡን ተገዳስነቶም ኣለዓዒሉን። **"ኣማን"** ኣብ ኩሉ'ቲ ኣብ ዋና ከተማ ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ከረን፡ ኣቑርደት፡ ተሰነይን ኦምሓጀርን ምስ ህዝቢ ዘካየዶ ኣኼባታት፡ ሕቶ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍታሕ ኣገዳሲ ምዃኑን ናይዚ ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ፖሊሲ ንሱ ምዃኑን ብንጹር ቋንቋ ኢዩ ዝዛረብ ነይሩ።

እንተ'ቲ ካልኣይ ሮቛሒ ብሰንኪ ፍልልያት ኣብ ውሽጢ **"ደርግ"** ብብጾቱን ብኸምቲ ዝተቀልቀሎ ካብ ፖለቲካዊ መስርሕ ብቅልጡፍ ምጥፍኡን ኢዩ። ናቱ ቅትለት እውን ከም ብሓድሽ ኣተኩሮን ተገዳስነትን ኤርትራውያን ስሒቡ ኢዩ። መብዛሕትኡ ካብ ሓቅነት ዝረሓቐን ካብ ምድንጋጽን ስምዒታትን ዝተላዕለን ብዙሕ ሕቶታትን ትርጉማትን ተዋሂቡዎ። ንኣብነት ገለ ካብኡ ብዛዕባ ሃገራውነቱን ዝተቀትለሉ ምኽንያት ኤርትራዊ ስለዝኾነን ኢዩ ዝብል ዘረባታት ነይሩ።

እዚ ዝተጠቅሰ ናይ **"ኣማን ዓንዶም"** ክልተ ረቛሒታት፡ ኣብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከበሳ፡ ብዙሕ ዘረባታት ዝነበሮ ን"**ኣማን**" ፖለቲካዊ ተርእዮ ቀየሮ፡ እዚ ድማ ኣብ መጨረሽታ ነቲ ምስ ኢትዮጵያን ስርዓታታን ዝጸነሐ ምትእስሳር ንኽባተኽ ካብ ዝሐገዙ ሮቛሒታት ኮይኑ።

**"ኣማን ዓንዶም"** ኣብቲ ስድርኡ ዝቅመጡሉ ዝነበሩ ሱዳን ኢዩ ተወሊዱ። ኣብ ሱዳን ድማ ተማሂሩ፡ ምስ ስድራቤቱ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ 1941 ተመሊሱ። ኣማን ምስ ኤርትራን ጉዳያን ክዝረበሉ ዝካኣል ምትእስሳር ኣይነበሮን። ኩሉ ወተሃደራዊ ዝናኡ ክሳብ ጀነራል ማዓርግ ዝብጽሕ ከም ኢትዮጵያዊ ወተሃደር ኢዩ ሃኒጽዎ። ስለዚ ከኣ ምስ ጉዳይ ህዝቡ ምድንጋጽ ነይሩዎ ኢልካ ክትዛረበሉ እትኽእል ፖለቲካዊ ድሕረ ባይታ ኣይነበሮን።

**"ኣማን"** ኣብቲ ኣብ ናይ ኤርትራ ዑደቱ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ኣኼባታት፡ ሕቶ ኤርትራ ዝፍታሓሉ ዝኾነ ይኹን ስረታት ወይ መትከላት ኣየቅረበን። ዘረብኡ ሓፈሻውን ኣገባብ ኣፈታትሓ ይኹን እቲ ዝብጸሕ ፍታሕ እንታይ ከም ዝኽእል ዝእምት ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ኣገላልጻኡ ስሓቢ ስለዝነበረ፡ ብዙሓት ካብቶም ኣብቲ ዘካየዶ ሓፈሻውን ውሱንን ኣኼባታት ዝተሳተፉ ንዘረባኡ ዘይሓቀኛ ትርጉም ይህብዎን ዘይከውንነታዊ ተስፋታት የሕድሩን ነይሮም። ንኣብነት ነቲ **"ኢትዮጵያ ትቅደም"** ዝብል ጭርሖ **"ደርግ"** ኣብ ዘደጋግመሉ ግዜ ምስኡ ኣልጊቡ **"ኤርትራ ትቅደም"** እውን ይብል ስለዝነበረ፡ ምስ ሕቶ ህዝቡ ከም ዝደናገጽ፡ ጸግዒ ሃገሩ ከምዝሓዘን ንህዝቡ ሰናይ ግብሪ ይፍዲ ከምዘሎን ይትርጎም ነይሩ። ከምኡ'ውን ኣብ ቆላታት ኤርትራ ብጽሩይ ዓረበኛ ምዝራቡን፡ ገለ ናይ ቁርኣን Verses ምጥቃሙን ኣብ ህዝቢ፡ ናብኡ ናይ ቅርበትን ፍትወትን ስምዒት የሕድረሉ ነይሩ።

ብዛዕባ ሰላማዊ ፍታሕ ምዝራብ፡ ደረጅኡ ብዘየገድስ፡ ካብ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ሓላፊ ዘይተሰመዐ ብምንባሩ፡ ካብ ዝኾነ ትጽቢት ዝረሓቐ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። እዚ ዘረባ'ዚ ካብ ቃል ሓደ ዝለዓለ በዓል ስልጣን ኢትዮጵያ ምስ ወጸ ድማ፡ ምስ ኤርትራዊ መንነት ናይ ባሃሊኡ ክታኣሳሰር ቀሊል ኢዩ ነይሩ። ብጾቱ ኣባላት **"ደርግ"** ንገዛእ ርእሶም ነዚ ከም ሓደ ናቱ ጉድለት ኢዮም ቆጺሮሞ።

ልክዕ'ዩ ኣማን ዓንዶም ጉዳይ ኤርትራ ንምፍታሕ ዝኸተሎ ፖሊሲ ንምግላጽ ዕድል ኣይረኸበን። ብዛዕባ ዝሓሰቦ ወይ ምስ ብጾቱ ሰበ ስልጣን ከምያየጠሉ ዝደሊ ዝነበረ ክትግመት ድማ ቀሊል ኣይኮነን። ብዝኾነ ግን ንሱ ዝሓሰቦ ዝነበረ መፍትሒ፡ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ናብ ደረጃ ምቅባል መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ክበጽሕ ከምዘይክእል ክግመት ይካኣል ኢዩ። ሰውራ ኤርትራ ከኣ ካብዚ መትከል'ዚ ሕድገታት ክገብር ድልው ከምዘይኮነ ፍሉጥ ኢዩ።

ብዛዕባ ሰላማዊ ፍታሕ ክትዛረብ ከሎኻ ብዛዕባ ገለ ሕድገታት ትዛረብ ኣሎኻ ማለት ኢዩ። ምናልባት እውን ኣማን ማእከላይ ፍታሕ ከም ውሽጣዊ ምምሕዳር ወይ ከኣ እንተ ሓሸ ነቲ ዝነበረ ፈደረሽን ንምምላስ ይሓስብ ነይሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ካብዚ ክልተ ኣማራጺታት ንላዕሊ ነይሩዎ ኢልካ ክትዛረብ ዝሕግዝ መርትዖታት ግን የለን።

እቲ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣብ ኣርእስትና፡ ግዜ ዘቃልዖ ብዘየገድስ፡ ኣቦ መንበር ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣማን ዓንዶም ብዛዕባ ሰላማዊ ፍታሕ ንጉዳይ ኤርትራ ብዝምልከት ዝተዛረቦ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያውን ብሰውራ ንዘጋጠሞም ስዕረት ከም ዝተኣመኑን ዝያዳ ሕድገታት ንምግባር ናይ መጀመርታ ሱጉምቶም ምዃኑን ኢዩ ተተርጒሙ። ከምኡ'ውን ኤርትራዊ ኣማን ዓንዶም ንኤርትራውያን ዘመሓላልፎ ዝነበረ ምልክታት፡ ድሕረ ቅትለቱ፡ እቶም ኣንጻር ኤርትራ ተሪር መርገጺ ዝነበሮም ኢትዮጵያውያን ምርጫ ሰላማዊ ፍታሕ ንምብርዓንን መግዛእቲ ኢትዮጵያ ህያው ንምግባርን ከም ዝቀተልዎ ኢዩ ተተርጒሙ።

እቲ ምስ ኣማን ዓንዶምን ኣቀታትላኡን ዝተኣሳሰረ ምዕባለታት ከኣ ብግዲኡ ንህዝባዊ ደገፍ ሰውራ ኤርትራ ኣዛይድዎን ንደረጃ ጸልኢ.ን ቀጠዐን ኣብ ልዕሊ ኢ.ትዮጵያ እውን ኣዕረጉዎ።

ብዘይካ'ዚ ሓይልታት ክልቲኡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢ.ታት ከበሳ፡ ካብ ሸሞንተ ኪሎ ሜትር ዘይርሕቅ ኣብ ከባቢ. ዋና ከተማ ኣስመራ ምዕራደንን መብዛሕትኣን ማዕከናት ዜና ዓለም ነቲ ኣብ መጀመርታ ለካቲት 1975 ኣብ መንጎ ሓይልታት ኢ.ትዮጵያን ሰውራ ኤርትራን ዝተወልዐ ኵናት ምቅላሐንን ኣብ ውሽጢ. ህዝቢ. ብሓፋሻ፡ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ. ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ዓወትን ናጽነትን ተስፋ ከም ዘሕድሩ ገይሩዎም ኢ.ዩ። እቲ ምዕባለታት ንሃገራዊ ስምዒ.ታት ኣረሳሲኑ፡ ነፍሲ. ወከፍ ዜጋ ብዛዕባ ሰውራ ዝዝምር ኮይኑ፡ ብቀጥታ ብምስላፍ ይኹን ኣብ ዋህዮታት ሰውራ ብምውዳብ ወይ ከኣ ፋይናንሳዊ ሓገዛት ብምብርካት ሃገራዊ ተራኡ ዝጻወት ኮይኑ።

# 10. ኵናት ሓድሕድ ደው ምባልን፡ ክልቲኡ ውድባት ናብ መድረኽ ዘተን ምውህሃድን ምስግጋሩን

ድሕሪ'ቲ ኣብ ታሕሳስ 1974 ዝተኻየደ ውግእ ዓዲ ቢ.ድል፡ ኣሃዱታት ክልቲኣን ውድባት ኣብ ሰሜን ኣስመራን ጥቀኣን ኣብ ዝርከብ ከባቢ.ታት ኣብ ዝተቐራረበ ቦታታት ዕርዲ.ታት ሓዘን።

ብወገን ተ.ሓ.ኤ መራሒ. ናይታ ኣብ ደዓሮ ዓስኪራ ዝነበረት ጋንታ "ሳቦት ሰንኮት" ብዝወሰዶ ደፋር ተበግሶ፡ ውግእ ክልቲኡ ውድባት ሓንሳብን ንሓዋሩን ደው ኢ.ሉን ዝምድናታተን ናብ ናይ ዘተን ምውህሃድን መድረኽ ተሰጋጊሩን። ነዚ. ምዕባለ'ዚ. "ሳቦት ሰንኮት" ብ'ሽምዚ. ዝስዕብ ኣስፍሕ ኣቢ.ሉ ይገልጾ።

***"ድሕሪ'ቲ ኣብ 20 ታሕሳስ 1974 ዝተኻየደ ውግእ 'ዓዲ ቢ.ደል'፡ ኣሃድታት ህ.ሓ.ሓ. ክሳብ እምባደርሆ ኣዝሊቀን። እታ ኣነ ዝመርሓ ዝነበርኩ ጋንታ ኣብ ደዓሮ ዓስኪራ። ሹዑ ንሕና ከም ተጋደልቲ ተበግሶ ወሲድና ተጋደልታ ናይ ህ.ሓ.ሓ. ክሳብ ክንደይ ጸላኢ. ብሓባር ንምምካት ድልዋት ከምዝኾኑ ዘይንፍትን ዝብል ሓሳብ ኣሕዲረ። ምስ ኣባላት ጋንታይን ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ካልኦት ተጋደልትን ተማያይጠ። ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ኣብ ናይ ሓባር ርእይቶ ንምብጻሕ ኣብ ዝገበርናዮ ኣኼባ ኩላትና ነቲ ተበግሶ ንምውሳድ ተሰማሚዕና። ሓደ ሙሓመድ ዝተባህለ ጥራይ እዚ. ስጉምቲ'ዚ. ውድባዊ ኣይኾነን ብዝብል ምኽንያት ተቓዊሙ። እዚ. ድሕረ ሓሙሽተ ማዓልቲ ካብ ውግእ 'ዓዲ ቢ.ደል' ኣቢ.ሉ ይኸውን ነይሩ።***

***ንጽብሒ.ቱ ሳልሳይ ርእሰይ ናብታ ኣሃዱታት ህ.ሒ.ሓ ዝርከቡላ ዝነበሩ እምባደርሆ ተበጊስና። ቅድሚ. ምብጋስና ግን ንዓበይቲ ናይቲ ዓዲ ኣኪብና ብዛዕባ ተበግሶና ገሊጽናሎም፡ ነቲ ሓሳብና ድማ ደጊፎምን ታሓጕሶምሉን።***

***ኣብ እምባደርሆ ምስ ጵጥሮስ ሰሎሞንን ዓብደላ ሙሱን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ናይተን ኣሃዱታት ተራኺብና፡ ተበግሶና ምስ ገለጽናሎም ብጽቡቕ መንፈስ ተቀቢ.ሎም።***

***ኣብቲ ንጽቢ.ሒ.ቱ ዝካየድናዮ ናይ ሓባር ኣኼባ ኣንጻር ጸላኢ. ብሓባር ክንዋጋእን ንሰም'ውን ብወገኖም ድሕሪ 5 ማዓልትታት ነቲ ዝጀመረ ምቅርራብ ንቅድሚት ንምድፋእ ናባና ናይ ተጋደልቲ ልኡኽ ክሰዱን ተሰማሚዕና።"***[169]

---

[169] ደራሲ. ምስኡ ብዕለት 18/04/2007 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠየቕ።

ዜና ናይቲ ርክብ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታት ክልቲኡ ወገን ብቕልጡፍ ተዘርጊሑ ዓቢ ተቐባልነት ከኣ ረኺቡ፡ ንናይ **“ኵናት ሓድሕድ”** ምቕጻል ተኽእሎ ኣርሒቕዎ፡ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ ናይ ተስፋ ሃውሁው ተፈጢሩ፡ እቲ ዝነበረ ቅርሕንቲታትን ጽልኢን ድማ ዝእለየሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

በዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ዝምድና ክልቲኡ ውድባት ብሃንደበት፡ ብዙሕ ግምታት ዝወሃቦ ግን ከኣ **“ኵናት ሓድሕድ”** እንደገና ክውላዕ ይኽእል ኢዩ ዝብል ግምት ዘይርከቦ፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ተሰጋጊሩ።

ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ናብ ከበሳ ድሕሪ ምድያበን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት **“ኵናት ሓድሕድ”** ናይ ምቕጻል ቅድመ ኩናት ክሃስስ ኢዩ ጀሚሩ። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን ኣብ **“ፍልፍል”** **“ወኪ”** **“ደፈረን”** **“ዓዲ ቢደልን”** ዝተኻየደ ዘይወሳኒ ውግኣት እውን እንተኾነ መቀጸልታ ናይቲ ካብ መጀመርታ 1973 ኣብ ሳሕል ናብ ናይ ምድስካል ነጥቢ በጺሑ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ቀንዲ ውጽኢት ናይ ከበሳ ውግኣት ክልቲኡ ወገናት፡ ብፍላይ ከኣ ወገን ተ.ሓ.ኤ.፡ ብመገዲ ወተሃደራዊ ስራሕ ኣብ ሳሕል ዘይተረጋገጸ ወሳኒ ውጽኢት ክርከብ ከምዘይክኣል ናብ ዓሚቕ እምነት ምብጻሖም ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ እቲ ሽዑ ዝተኸስተ ሓድሽ ምዕባለታትን ኣብ ውሽጢ መንግስታዊ ትካላት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝተፈጥረ ፍንውነትን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ንዕላማ ናጽነት ብሰፊሕ ምቕባሉን ንሰውራ ምሕጋዙን መሪሕነታት ክልቲኡ ወገን ሓላፍነቶም ተሰኪሞም ነቲ ሰውራዊ ኩነታት ንምምዝማዝን ናብ ረብሓ ሰውራ ንኽውዕልዎን ዓቢ ተጽዕኖ ይገብረሎም ነይሩ ኢዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ እቲ ዝነበረ **“ኵናት ሓድሕድ"** ብኸመይ ይስገር ዝብል ሕቶ ዝመለስ ተበግሶ ተጋደልቲ ደጊፎምዎ።

ድሕሪ'ቲ ናይ ተጋደልቲ ርክባት፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ክፍላ ጥሪ 1975 ነቲ ብተበግሶ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደ ርክባት ንምምይያጥን ኣብቲ ዝምድና ክልቲኡ ውድባት ዝተፈጥረ ሓድሽ መድረኽ ብኸመይ ይተሓዝ ንምዝታይን ናይ ሓለፍቲ ኣሃዱታት ኣኼባ ኣብ ሃዘጋ ኣካይዱ።

ኣኼባኞታት ጸብጻብ ናይቶም ርክባት ዝገበሩ ድሕሪ ምስማዕ፡ ነቲ ተበግሶ ኣጽዲቆምዎ። ይኹን እምበር፡ እቲ ተበግሶ ቅድሚ'ቲ ኣኼባ ዳርጋ ብኩሉ ኣብ ዕርድታት ዝነበሩ ተጋደልቲ ተቐባልነት ረኺቡ ነይሩ ኢዩ። እቲ ኣኼባ ብቀንዱ ነቲ ርክባት ሕጋዊ መልክዑ ንምሃቡ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ እቲ ዝተረኸበ ውጽኢት ብኸመይ ይምዕብል ዝብል ጉዳይ ካብቲ ነዊሕ ክትዕ ዝተኻየደሉ ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣኼባ ካብ ዘቕረቦም ቀንዲ ሕቶታት ድማ፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ብኸመይ ይምዕብል? ዘተ ከ ብኸመይ ክካየድ ይኽእል? ናይዚ ርክብ'ዚ መጨረሽታ ዕላማ እንታይ'ዩ? ዝብሉ ነይሮም።

እቲ ዝተጀመረ ርክባት፡ ክሳብ ንርክብ ናይ ክልቲኡ መሪሕነታት ክበጽሕ ይኽእል ዲዩ፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ከ ምስቲ ጉባኤ ዝኾነና መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ክራከብ ሕጋዊ ዲዩ ዝብሉ ሕቶታት፡ ኣብ ኣኼብ ሃዘጋ ንብዙሓት ዘሻቅል ዝነበረ ኢዩ ነይሩ። መብዛሕትኦም ተሳተፍቲ፡ ንከምዚ ዝኣመሰለ **“ሕጋዊ”** ሽነኽት ናይቲ ጉዳይ ንጹር መልሲ ይጽበዩ ነይሮም።

ነታ ኣኼባ ዝወደባን ዝመርሓን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ነቲ ሕቶታት ክምልስ ድልው ኣይነበረን፡ ብሓቂ ከኣ እቲ ምዕባለታት ንባዕሉ ከምዚ ዓይነት ርክባት ናይ ምክያድ ተኽእሎ ዝሕብር ኣይነበረን።

ኣኼባ፡ ብመሰረት ውጽኢቱ ብዛዕባ ክግበር ዘለዎ ዝሕሰብ ክልተ ውሳኔታት ኣሕሊፉ። ንሳቶም ከኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ብመገዲ ኮሚተታት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ምስ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ሰፊሕ ዘተ ብምእታው ኣብ ውሽጦም ናይ ሓባር ስራሕ መንፈስን ሓድነትን ክሳብ ክንድይ ከም ዝሰረጸ ምግምጋም፡
2. መስርሕ ርክባት እትጅምር ካብ ተጋደልቲ ሓንቲ ጉጅለ ካብቲ ኣኼባ ምቛም። (እታ ጉጅለ ድማ ብመሪሕነት መልኣከ ተኽለ ቀይማ።)

እታ ጉጅለ ስራሓ ቅድሚ ምጅማራ ግን ህ.ሓ.ሓ. ከም መልሰ ተግባር ናይቲ ብተጋዳልቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝተወሰደ ቀዳማይ ተበግሶ ምስ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. እትራኸብ ጉጅለ ልኢኻ። እታ ብግርማይ ገብረመስቀል ዝተመርሓት ጉጅለ ኣብ "ሣዘጋ" መጺኣ ምስ ተጋደልቲ ርክባት ኣካየደት። ምስቲ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. እውን ተራኪባ፡ ነቲ ልኡኽ ድሙቕ ኣቀባብላ ተገይርሉ። ኣብ ኩሉ ጉዳያት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጉዳይ ምርድዳእን ዘተን ሓበራዊ ስራሕን ብዝምልከት ድማ ሰፊሕ ክትዓት ኣካይዱ።

እታ ኣብ ኣኼባ "ሣዘጋ" ዝቆመት ጉጅለ፡ ምስ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ንምርኻብ ኣብ ከባቢ 27 ጥሪ 1975 ተበጊሳ። እንተኾነ ግን እቲ ኣብ መንጎ ውድባት ሰውራን ጸላኢን ክውላዕ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ኵናት ብሓደ ለካቲት ስለዝጀመረን ክልቲኦም ወገናት ኣብቲ ኵናት ስለዝተጸምዱን፡ እታ ጉጅለ ዕማማ ክተሳልጥ ስለዘይክኣለት ክትምለስ ተገዲዳ።

እታ ጉጅለ ምስ ተመልሰት ኣብ ዝሃቦቶ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ንስለስተ መዓልታት ኣብ ትሕቲ እንግዶት ናይቲ ሓደ ወገን ኣብ ዝጸንሓትሉ፡ እቲ ዝተቐበላ ወተሃደራዊ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ንመሪሕነቱ ከይተወከሰ ምስ ተጋደልቲ ክራከቡ ዕቃበታት ስለዝርኣየ ምስ ተጋደልቲ ከይተራኸበት ከም ዝተመልሰት ገሊጻ።

* * *

ጸላኢ ንግሆ ሓደ ለካቲት 1975 ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ዝርከባሉ **"ወኪ ድባ"** መጥቃዕቲ ጀሚሩ። ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ብመሰረት ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገን በዝተገብረ ምርድዳእ፡ ተበግሶ ብምውሳድ ኣብቲ ኵናት ተሳቲፈን። ከምኡ'ውን ኣብቲ ሽዑ መዓልቲ ጸላኢ ኣብቲ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ዝርከባሉ **"ዓዲ ንፋስ"** መጥቃዕቲ ኣካይዱ።

ጸላኢ ኣብ ቦታታት ሰውራ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ክልተ ስርሒታት ፈጺሙ። ቀዳማይ፡ ምሸት 31 ጥሪ 1975 ማለት ድሮ እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣስመራ ንፍርቂ ስዓት ዝቐጸለ ጽዑቅ ተኹሲ ከፊቱ። ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ሰውራን ጸላኢን ዝካየድ ኵናት ይመስል ነይሩ። ነፍሲ ወከፍ ወገን ናይት ሓደ ወገን ኣሃዱታት ምስ ጸላኢ ዝገጥማ ዘለዋ ይመስሎ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ፈዳይን ናይ ክልቲኡ ወገናት ኣብ ኣስመራ ይንጥፉ ነይሮም። እቲ ግምት ብድሕሪኡ'ውን ንነዊሕ ጸኒሑ ኢዩ። እቲ ጸላኢ ባዕሉ ዛካይዶ ስርሒት ክሳብ ሎሚ ንምንታይ ምኳኑ ብሩህ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ነቲ ኣብቲ ዝቐጸለ መዓልቲ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ንምምቕናይ ምኳኑ ክግመት ይከኣል ኢዩ። ካልኣይ፡ ብ1-2-1975፡ ማለት ኣብ ልዕሊ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት **"ወኪ ዱባ"** ጃምላዊ ህልቂት ፈጺሙ። ኣስታት 70 ዝተፈላለየ ዝዕድሚኦም ዜጋታት ድማ ሂወቶም ስኢኖም። ጸላኢ ኵናት ቅድሚ ምጅማሩ ከምዚ ዓይነት ተግባር ምፍጻሙ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ራዕዲ ንምፍጣርን ንሰውራ ኣንተድኣ ደጊፎም ብዛዕባ ክወርዶም ዝኽእል ሓደጋ መልእኽቲ ንምምሕልላፍን ምኳኑ ንጹር ኢዩ።

ካብቲ ቀንዲ ውጽኢት ናይ ቀዳማይ መዓልቲ መጥቃዕቲ ክልተ ነፈርቲ ኰናት ጸላኢ ምውዳቀን ኢዩ። ንሳተን ከኣ ሓንቲ ብኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ፍርቂ መዓልቲ ክትወድቅ ከላ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ብተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ኣጋ ምሸት ወዲቓ። ተጋደልቲ ክልቲኡ ወገን በቲ ዝተረኸበ ዓወት ዮሃና ተለዋዊጦም። ጸላኢ'ተን ኣሃዱታት ሰውራ ካብ ከባቢ ኣስመራ ንመርሓቅ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ዕላማኡ ክወቅዕ ኣይከኣለን።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዋሕዲ ጠያይቲ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ካላሽንኮፍ ነይሩውን። ነዚ ሕጽረት'ዚ ንምፍታሕ ድማ ብዘይካ ብመገዲ'ቲ ሓደ ወገን ካልእ ኣገባብ ኣይነበረን። ንሱ'ውን ዓቅሚን ድልውነትን እንተድኣ ሃልዩዎ ጥራይ ኢዩ። ብመሰረት ኣብ መንጎ ክልቲኡ መሪሕነታት ዝተኻየደ ናይ ሬድዮ ርክብ፡ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ንምትሕግጋዝ ድልውነቱ ገሊጹ። ካብቲ ዝድለ ዝነበረ ጠያይቲ ከኣ ንወገን ተ.ሓ.ኤ. ኣስታት 7000 ተዋሂቡ።

ተ.ሓ.ኤ. ኣብቲ ግዜ'ቲ ብደረጃ ውድብ ናይ ብረትን ዕጥቂን ስእነት ኣይነበሮን። ዓረባዊት ሪፓብሊክ ሶርያ ኣብቲ እዋን'ቲ ንተ.ሓ.ኤ. ብርክት  ዝበለ ናይ ሩስያ ስርሓት ብረታት ከም ሴማናፋት፡ ካላሽናት ማእከላይ ረሻሻት (ዶሽካ) መድፍዕ ናይ 82 ሚ.ሜ ዝኣመሰለ ሓጊዛ ኢያ። እዚ ኣጽዋር'ዚ ኣብ ሜዳ ኣትዩ እኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ ኵናት ዝካየደሉ ዝነበረ ቦታታት ግን ኣይበጸሐን ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝኾነ ናይ ጠያይቲ ሓገዛት ንኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ፍሉይ ኣገዳስነት'ኳ እንተነበሮ፡ እቲ ሓገዝ መጠኑ ብዘየገድስ ካብ ናይ ትማሊ ጻላኢ ዝነበረ ወገን ምምጽኡ ግን ንባዕሉ፡ ፍሉይ ፖለቲካዊ ትርጉም  ነይሩዎ ኢዩ። ብልክዕ ከኣ እቲ ተበግሶ ነቲ ዝነበረ ናይ ምቅርራብ ሃውሁው ስጉምቲታት ንቅድሚት ደሪኹዎ ኢዩ።

ከም ጽቡቅ መልሰ ተግባር ድማ ወገን ተ.ሓ.ኤ. ንኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ሚያዝያ ካብቲ ፈዳይን ተ.ሓ.ኤ. ንሓደ ባንክ ኣስመራ ብምቁጽጻር ዝምጽእዎ ገንዘብ ገለ ኣሽሓት ብር ኢትዮጵያ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ሂቡ።

እቲ ካብቲ ካብ መጀመርታኡ ዘልዓሎ ጭርሖ ሰላማዊ ፍታሕ ንጉዳይ ኤርትራ ብምህዳም ስርዓት ኢትዮጵያ “ደርግ” ንኣሃዱታት ሰውራ ካብ ከበሳ ክርሕቖን ዝወጠኖ መደብ ኣይተዓወተሉን። ክልቲኡ ውድባት ሰውራ መብዛሕትኡ ዝውንንኦ ኣሃዱታት ኣብ ከበሳ ኣምጺኡዎ። ንገጠራት ኤርትራ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ጸላኢ ሓራ ንምውጻእ ዝዓለመ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ ውሽጢ ከተማታትን ከባቢኡን ድማ የካይዱ ነይሮም። ብልክዕ ድማ ገጠራት ሓራ ኮይኑ ወተሃደራዊ ህላወ ጸላኢ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ተሓጺሩ።

እቶም ብረት ጸላኢ ዝዓጠቑ ዜጋታት ድማ ማሊሻታት ሰውራ ኮይኖም ኣኣብ ዝነበርሉ ከባቢታት ንሰውራ ሓበሬታታት ኣብ ምስናቅ ይኹን ኣብ ኵናት ምስ ተጋደልቲ ብምስታፍ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም። እዞም ማሊሻታት እዚኣቶም ንዓቅሚ ኣሃዱታት ሰውራ ዘደልደሉ ተወሳኺ ሓይሊ ኮይኖም።

ሓፋሽ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ እውን ምስቲ ኩሉ ጸላኢ፡ ሓንሳብ ብምፍርራሕን ምቅታልን እንሓንሳብ ድማ ብምቅብጣር ንምጽላዎም ዝገበሮ ፈተነታት ፈሺሉ ኣብ ሃገራዊ መርገጺኦም ጸኒዮም፡ ነቲ ዝደገፍዎ ሰውራኦም ሓጊዞም። ካብቲ ቀንዲ ሓፋሽ ዝፍጽሞ ዝነበረ ንተጋደልቲ እኹል ማይን መግብን ምቅራብ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣሃዱታት ሰውራ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ህዝቢ ይምርኮሳ ነይረን። ብዘይካ'ዚ እውን ንሰውራ ብሓደስቲ ተሰለፍቲ የህጥር ነይሩ። ክሳብ ብዝሒ ተሰለፍቲ ካብ ናይ ምቅባል ዓቅሚ ናይቲ ሰውራ ዝዛይድ ኾይኑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ዕላማ ሃገራዊ ናጽነት ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ጥምረት ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ ተራእዩ ኣይፈልጥን ኢዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዱልዱል ባይታ ከም ዝረገጸን ነቲ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ዘይጸንሐ ሓደ ካብ መሰረታዊ ቅድመ ኩነት ዓወት ከምዝረጋገጸን ድማ ብሩህ ኮይኑ።

* * *

ድሕሪ ኣብ "**ወኪ ድባ**" ብክልቲኡ ውድባት ሰውራ ኣንጻር ጸላኢ ዝተኻየደ ናይ ሓባር ግጥም ብገለ መዓልታት፡ ኣብ መንጎ መሪሕነታት ክልቲኡ ውድባት ቀዳማይ ርክብ ኣብ ወርሒ ለካቲት ኣብ "**ደቂ ዒጥሮስ**" ሰሜን ኣስመራ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ዝርከርበሉ ተኻይዱ። እቲ ርክብ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ባይታ ስጉሙ ዝነበረ ጉዳይ ምውህሃድ ንምምይያጥ ብተበግሶ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ኢዩ ተኻይዱ።

ኣብቲ ርክብ'ቲ ብወገን ህ.ሓ.ሓ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክሳተፍ ከሎ፡ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ከኣ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ኢብራሂም እድሪስ ቶቲልን ተሳቲፎም። ኣብቲ ርክብ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብጽሑፍ እኳ እንተ ዘይሰፈረ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምውህሃድን ዝሓሸ ውጽኢት ንምርግጋጽ ብዛዕባ ዝከኣለሉን ምይይጥ ተኻይዱ። ካብቲ ቀንዲ ስምምዕ ዝተበጽሐሉ ኣብቲ ቦታ ጸኒዕካ ኵናት ምክያድ፡ ካብ "**መዓልዲ**" ጀሚሩ ክሳብ "**መንሳዕ**" ዝዝርጋሕ ከባቢታት ናይ ሓባር ድሕረ መስመር ንኽኸውን ምሕሳብ ዝብል ነይሩ።

ኣገዳስነት ናይቲ ኣኼባ ብቀንዱ ነቲ ኣብ መንጎ መሪሕነት ክልቲኡ ውድባት ዝጸንሐ ስነ-ኣእምራዊ ሓጹር ምስጋሩ ኢዩ። ነቲ ዝነበረ ናይ ምውህሃድን ምቅርራብን ሃዋሁው ንቅድሚት ኣብ ምድፋእ ዝነበሮ ኣገዳስነት እውን ኣቃሊልካ ዝጥመት ኣይነበረን።

ድሕረ ገለ መዓልታት እውን ብዛዕባ ምውህሃድን ምቅርራብን ብዝምልከት ፍሉይ ጉዳያት ንምምይያጥ ካልእ ርክብ ተኻይዱ። ኣብቲ ኣብ ጥቓ "**ደቂ ዒጥሮስ**" ኣብ እትርከብ ዓዲ ዝተኻየደ ርክብ ብወገን ህ.ሓ.ሓ. ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ድማ ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ተረኺቦም። ኣብዚ ርክብ'ዚ እውን እንተኾነ ብዛዕባ ናይ ሓባር ስራሕ ንምድልዳል ብዝምልከት ምሉእ ምርድዳእ'ኳ እንተነበረ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ስምምዕ ኣይነበረን።

እቲ ዝተኻየደ ክልተ ርክባት፡ ነቲ ክልቲኡ ውድባት ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ዝበጽሕዎ ስሙር መርገጽን ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ "**ኵናት ሓድሕድ**" ከም ዝሰግርዎን ዝሕብር ኢዩ ነይሩ። እዚ መርገጺ፡ ብፖለቲካዊ መዳዩ፡ ሃገራዊ ረብሓ ነቲ ዝነበረ ፍልልያት ኣብቲ ዝድለ መድረኽ ከም ዝስዓሮ ኢዩ ዘረድእ።

እቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ ብወገን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምናልባት ከምዚ ሕጂ እትዛረበሉ ቀሊል ጉዳይ ኣይነበረን። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ቅዩድ ኢዩ ነይሩ። ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ከኣ ንባዕሉ ነቲ ዝነበረ ቀይዲ ኣብ ምትራሩ ተራ ነይሩዎ ኢዩ። እቲ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ንፖለቲካውን ወተሃደራውን መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ዝኹንን ዘውጽኦ ውሳኔ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ "**ኵናት ሓድሕድን**" ምዕባለታቱን ምስ ዝተኾነነ መሪሕነት ርክብ ክግበር ከምዘይክእል ኢዩ ተተርጒሙ። ሰውራዊ ባይቶ ንባዕሉ ኣብቲ ብ30-4-1974 ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ምስ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ዘተ ካብ ምክያድ ብምቁጣብ፡ ጉዳይ ኣብ ዘተ ምእታው ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽርእዩ ከም ዘመሓላለፎ ተዓዚብና ኢና።

እቲ ኣብ ከበሳ ዝተኻየደ ክልተ ርክባት ንገዛእ ርእሱ ኣብ ውሽጢ'ተን ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ሕቶታትን ክትዓትን ኣልዒሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን ተጋደልቲ ነቲ ዝነበረ ኩነታትን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስዕረት ንምውራድ ናይ ሓባር ስራሕ ምድልዳል ዘሎዎ ኣድላይነትን ይርድኡ ስለዝነበሩ እቲ ተቓውሞ ናብ ተሪር ተቓውሞ ክምዕብል ኣይካኣለን፡ ንህልቂት "ወኪ ድባ" ብዓይኖም ዝረኣዩ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሓያል ጽፍዒት ንምውራድ ዝዓለመ ስራሕ ክቅበሉ ዝያዳ ድልውነት ነይሩዎም።

እንተኾነ ግን እቲ ዝተኻየደ ርክባት፡ ካብቲ ቀዳማይ ተበግሶ ጀሚርካ፡ ኣብ ካልእ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ. ዝርከባሉ ከባቢታት ብዛዕባ ሕጋውነቱን ዘይሕጋውነቱን ብዝምልከት ክሳብ'ቲ ቀሪቡ ዝነበረ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝቀጸለ ብዙሕ ክትዓት ተኻይድሉን ዝተፈላለየ ትርጉማት ተዋሂቡዎን ኢዩ። እቲ ጉዳይ ኣብ ጉባኤ ከም ቀዳማይ ኣርእስቲ ምስ ቀረበን መልሲ ምስ ተዋሃቦን ጥራይ'ዩ ተደምዲሙ። ነዚ ድማ ኣብ ዝቅጽል ክንርእዮ ኢና።

ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ክልቲኡ ውድባት ክካየድ ዝተመደበ ዘተ ብሰንኪ ምስ ጸላኢ ዝተወለዐ ኵናትን፡ እቲ ካልኣይ ወገን ክሳብ ሚያዝያ 1970 ተመሳሳሊት ናይ ተጋደልቲ ጉጅለ ከቀውም ስለዘይከኣለን፡ ኣይተፈጸመን። ብድሕሪኡ ድማ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜ ስለዝኣኸለ ካብ ኣባላት'ታ ጉጅለ ኣባላት ጉባኤ ዝኾኑ ርክብ ቅድሚ ምክያዱ ናብ ጉባኤ ንምስታፍ ከይዶም።

ኣብቲ ዝቀጸለ ግዜ፡ ካብ መጨረሽታ ኣዋርሕ ናይ 1975፡ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ከም ብሓድሽ ምስ ጀመረ፡ ጉዳይ ናይዘን ክልተ ኮሚተታትን ድልውነት ክልቲኡ ወገንን ብዝምልከት ብክልቲኡ ውድባት ዝተፈላላየ ትርጉማት ዝተወሃቦ ኮይኑ። ካብቲ ዘተ ናይ ምህዳም እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ሓላፍነት ንምስካም ዝዓለመ ብዙሕ ዘረባታት ድማ ብክልቲኡ ወገን ተጻሒፉ። እንተኾነ ግን እዚ መጽሓፍ'ዚ ክሳብ'ቲ ኣብ ግንቦት 1975 ዝተቓንዐ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ጥራይ ዝትርኽ ስለዝኾነ ብዛዕባ'ቲ ዝስዓበ ፍልልያት ምዝራብ ኣብዚ ቦታ የብሉን።

# 11. ዓቢ ምስላፍ ናብ ሰውራን ነጸብራቑን

ሓደ ካብቲ ውጽኢት ምዕባለታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ምስላፍ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኢዩ። ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ማለት ካብ ሕዳር 1974 ክሳብ ለካቲት 1975 ኣብ ክልቲኡ ውድባት ካብ 8000 ክሳብ 10,000 መንእሰያት ተሰሊፎም። እቶም ኣስታት (90%) ካብኣታቶም ኣብ መንጎ 18-20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ዝነበሩ ተሰለፍቲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኢትዮጵያን ከተማታትን ገጠራትን ከበሳታት ኤርትራን ዝመጹ ኢዮም ነይሮም። መብዛሕትኦም ተሰለፍቲ (ኣስታት 90%) ተማሃሮ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኢዮም ነይሮም። ከምኡውን ኣብ መንጎኦም ውሑዳት ዘይኮኑ ናይ ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ፡ ብፍላይ ድማ ካብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ዝመጹ ነይሮም። እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ "ብዋሕዚ" ዝግለጽ ዝነበረ ምስላፍ ሓደስቲ መንእሰያት ውሑዳት ዘይኮኑ ካብ ዩኒቨርስቲ ዝተመረቑን ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሰርሑ ዝነበሩን ዘጠቓለለ እውን ኢዩ ነይሩ።

እቲ ምስላፍ ኣብ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ዝተወሰነ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ልዕሊ ርብዒ ናይቶም ተሰለፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኢየን ነይረን። መብዛሕትአን ካብተን

ዝተሰለፉ ደቂ-ኣንስትዮ ዘይተመርዓዋ ናይ ካልኣይ ደረጃን ዩኒቨርስቲን ተማሃሮም ኢየን ነይረን።

ኣብዚ ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኤርትራ ብዓይነቱ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ዓቢ ናብ ሰውራ ናይ ምስላፍ መሳርሕ፡ ካብቶም ተስለፍቲ 95% ካብ ከበሳታት ዝመጹ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ክርስትያን ክኾኑ ከለው፡ እቲ ምስላፍ ድማ ፍኑውን ዳርጋ ኣብ ክልቲኡ ውድባት ብማዕረን ኢዩ ነይሩ።

ካብቶም ተሰለፍቲ ገለ ቅድሚ ምስላፎም ንጡፋት ኣባላት ኣብ ሓዲኡ ውድብ እኳ እንተነበሩን፡ ብኡኡ መሰረት ምርጭኦም ወሲኖም እንተተሰለፉ ዝበዝሑ ግን እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ፍልልያት ብዘየገድስ ድፍኢቶም ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምስላፍ ጥራይ ኢዩ ነይሩ።

ልክዕ'ዩ ክልቲኡ ውድባት ኣብተን ተሰለፍቲ ዝመጽለን ከተማታት ህላወ ነይሩዎም ኢዩ። ኣብተን ከተማታት ድማ ስርዒታትን ኣባላትን ነይሩዎም። እንተኾነ ግን እቲ ምስላፍ ወይ ዋሕዚ ምቁጽጻርን ወይ ምውጋንን ካብ ዕቅሚ ስርዒታት ናይ ክልቲኡ ውድባት ንላዕሊ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ውድባት ናይ ክልቲኡ ወገናት ኣብ ከተማታት ምስቲ ተርእዮ ብኣወንታ ኢዮም ዝዋስኡ ዝነበሩ። ክልቲኦም ወገናት ነቲ ክውንነት ብምርዳእ ብዘይ ስምምዕ፡ ዝኾነ ኣብቲ ካልእ ውድብ ክስለፍ ንዝደሊ ብመገዶም ክሓልፍ የፍቅድሉን ኣድላዪ ምትሕብባር ይገብርሉን ነይሮም።

ኣብቲ ቀዲምና ዝጠቐስናዮ ኣብ "ደቂ ዒጥሮስ" ዝተኻየደ ኣኼባ መሪሕነታት ክልቲኡ ውድባት፡ እቲ ናይ ሓደስቲ "ዋሕዚ" ብኸመይ ይታሓዝ ዝብል ጉዳይ ምይይጥ ተኻይድሉ ነይሩ። ኣብቲ ጉዳይ ሓደ ስሙር ፖሊሲ ንምውሳድ ምእንቲ፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣልዒሉዎ ነይሩ። እቲ ጉዳይ ሕቶታት ብምልዓል ክትዕ ተኻይድሉ። ገለ ካብቲ ሽዑ ዝቐረበ ሕቶታት፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ተሰለፍቲ ዘይምቅባል ይከኣል ዲዩ? እንተ ድኣ ዘይተቐቢልናዮም ከ ካብ ገዛውቶምን ቤት ትምህርቶምን ጠፊኦም ድሕሪ ምጽናሕን ጉዳዮም ምስ ተወረየን ካልኣይ ግዜ ናብ ከተማ ምስ ተመልሱ እንታይ ዕድል ከጋጥሞም ኢዩ? ዝብል ነይሩ። ኣብ መደምደምታ ምብጻሕ ኣሸጋሪ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ንምምሕዳሩ ካብ ዓቕሚ ክልቲኡ ውድባት ንላዕሊ ዝኾነ ብዙሕ ዓቕሚ ሰብ ምቕባል ኣሰካፊ ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ኳ ኣብ ናይ መጨረሽታ ውሳኔ እንተ ዘይተበጽሐ፡ ነቲ ሽግር ብኩሉ ሸነኻቱ ምንጽብራቕን ናይ ሓባር ፍታሕ ምድላይን ክልቲኦም ወገናት ንውጽኢት ናይቲ ምዕባለታት ንምግጣም ክሳብ ክንደይ ናይ ሓባር ሓላፍነት ይስምዖም ከም ዝነበረ ዝገልጽ ኢዩ።

እቲ ዓቢ ናይ መንእሰያት ምስላፍ ንተ.ሓ.ኤ. ዘይሓሰበትሉን ዘይተዳለወትሉን ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ብኩሉ መዓቀኒታት ሃንደበታዊ ምዕባለ ነይሩ። እቲ ምዕባለ በቲ ሓደ መዳዩ ዘሕጉስ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ መዳይ ከኣ ብድሆ ኢዩ ነይሩ። ዘሕጉስ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ሕብረተሰብ ክርስትያን ኣብ ዕጥቃዊ ሰውራ ብሰፊሕ ናይ ዘይምስላፍ ዝነበረ ታሪኻዊ ሽግር ጠንቂታቱ ብዘየገድስ መፍትሒ ምርካቡ ክኸውን ከሎ፡ በዳሂ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ተ.ሓ.ኤ. ንክንድዚ ዝኣክል ብዝሒ ተቐቢላ ከተሳልጥንን ናይ ውግእ መሳርሒታት ክትቕርበሎም፡ ማለት ከምቲ ዝድለ ኣብ ውሽጢ ተዋጋኢ ሰራዊት ሓርነት ክትውግኖም ልዕሊ ዓቕማ ብምንባሩ ኢዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ምእንቲ ናጽነት ዝቃለሱ ተጋደልቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብቕኑዕነት መስመራ ዝኣምኑ ሓቀኛ ኣባላት ናይ ምግባሮም ስራሕ እቲ ዝዓበየ ብድሆ ኢዩ ነይሩ። ነዞም ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕን ልዕሊኡን ዝበጽሑ ተሰለፍቲ ናይ

ምቅባል ጉዳይ ብዝተጸንዐን ብመሪሕነት ስምምዕ ዝተገብረሉን ዘይኮነስ ከምቲ ብፉኑው ዝመጽእዎ ፍኑው ኢዩ ነይሩ።

እቲ ንክልቲኡ ውድባት ኣብ ሓድሽ ሓላፍነት ዘእተወ ብዝሒ ተሰለፍቲ ኣብ መንጎኦም ዦናት ከይውላዕ ዘሰከፍ ኩነታት ኣልጊስዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እኳ ድኣ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ፖለቲካዊ ፍልልያት ምሕዩ ከም ወቅታዊ ጉዳይ ኣገዳስነት ሓድነት ዘስገድድ ሮቋሒ ኮይኑ ኢዩ መሲሉ።

እዚ ዝገለጽናዮ ዓቢ ዋሕዚ ተሰለፍቲ ኣብ ብሄራዊ ኣቓውማ ክልቲኡ ውድባት ወሳኒ ለውጢ ነይሩዎ። ተ.ሓ.ኤ. ብዝምልከት 95% ካብ ተጋደልታ ካብቲ እስላማዊ ክፍሊ ሕብረተሰብ ኢዮም ነይሮም። እዚ ምስላፍ'ዚ ግን ኣብ ስብኣዊ ኣቓውማ ዓቢ ለውጢ ኣምጺኡ። ቁጽሪ ሓድስቲ ተሰለፍቲ ኣብ ብዝሒ ሰራዊት ሓርነት ኣስታት ክልተ ሲሶ ክኸውን ከሎ፡ እቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ድማ ኣስታት ሓደ ሲሶ ኮይኖም። እንተ ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ከምቲ ዝገለጽናዮ ብሰንኪ ቀጻሊ ምስላፍ ክርስትያናዊ ባእታ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ጸብለልታ ዝጸንሖ ክርስታናያዊ ወገን በዚ ሓድሽ ምስላፍ ቁጽሩ ኣብ ኣቃውማ እቲ ውድብ ክሳብ 95% ዝግምገም በጺሑ።

ተ.ሓ.ኤ. ነቶም ተሰለፍቲ ኣብ ባርካ "ሪብዳ" ዝተባህለ ቦታ ጥቃ ዶብ ሱዳን ፍሉይ ወተሃደራዊ መሰልጣኒ ብምቛም ዝዕልምዎምን ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ ዘካይድሎምን መዲባትሎም። እቲ ታዕሊም ክሳብ'ቲ ኣብ 1975 ዝተቃንዐ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ቀጺሉ። ድሕሪ ጉባኤ ብቀጥታ ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ዝተፈላለየ ክፍልታት ውድብን ተመዲቦም።

ሓፈሻዊ ሃውሁው ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንክንድዚ ዝኣኽሉ ካብ ከበሳ ዝመጹ ብዝሒ ተሰለፍቲ ምቅባል ዝድግፍን ነቲ ዓወት ንምቅልጣፍ ክጽወትዎ ዝክእሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ተራ ብኣወንታን ተስፋን ዝርኢ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን እዚ ብዝሒ'ዚ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ገለ ወገናት ሕቶታትን ስግኣታትን ኣለዓዒሉ ኢዩ። እቲ ሕቶታት፡ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ብመንጽር ናይቲ ሓደ ውድብ ክሳብ ክንደይ ብፖለቲካዊ መስመሩ ከም ዝምእዘዙ ክገብሮም ይኽእል? ነዚ ኸ ብኸመይ የረጋግጾ? ዝብል ክኸውን ከሎ፡ እቲ ስግኣታት ድማ እዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ምምዕባል ሰልፊ ዕዮ ወሳኒ ተራ ክጻወትን ናቱ ሓይሊ ክኸውንን ይክእል'ዩ ካብ ዝብል ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ።

ፖለቲካዊ ንቅሓት ተሰለፍቲ ብሓፈሽኡ ድሓን ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጦም ውሑዳት ዘይኮኑ በቲ ኣብ ግዜ ሃይለ ስላሰ ይኾኑን ድሕሪ ምልዕዓል ወተሃደራት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ምሁራት ዘስፋሕፍሐ ዝተፈላለየ ጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ ዝተጸልው ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ፡ ብፍላይ ከኣ ዩኒቨርስቲታት ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ካብ ዩኒቨርስቲ ዝተመረቁን ነይሮም ኢዮም። ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብቲ እዋን'ቲ ብውድባት ተማሃሮ ኣዕለቅሊቓ ኢያ ነይራ።

እዚ ምሁር ክፋል እዚ፡ ኣብ ውሽጢ እቶም ተሰለፍቲ ጸጋማዊ ኣተሓሳስባታት ንኸይዝርግሕ ኢዩ ነቲ ናይ ገለ ወገናት  ስግኣት ዝፈጥር ዝነበረ።

# ምዕራፍ 14
# ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ግንቦት 1975

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ እቲ ኣብ 1974 ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤን ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራን ዝተኸሰተ ምዕባለታት ንኸካየድ ዝኣዘዞ ንተ.ሓ.ኤ. ኣገዳሲ ሕቶ ኮይኑ ኢዩ ነይሩ።

- ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ጉዳይ ዘተ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ንምውሳን ሃገራዊ ጉባኤ ንኸካየድ ቃል ኣትዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ኣገዳስነት ምክያድ ሃገራዊ ጉባኤ ነቲ ሰውራዊ ባይቶ ዝኣተዎ ቃል ንምኽባር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዝምድና ክልቲኡ ውዳባት ናይ "ኵናት ሓድሕድ" መድረኽ ሰጊሩ ናብ ሓድሽ መድረኽ ምስጋሩ ሃገራዊ ጉባኤ ንምክያድ ተወሳኺ ኣገዳስነት ኣልቢስዎ።
- ከምኡ'ውን ኣብ ለካቲት 1974 ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ምዕባለታትን ውጽኢቱን ዝተፈልየ ፖለቲካዊ ኣቀራርባ (Approach)ዝድልዮ ኢዩ ነይሩ።
- ብዘይካ'ዚ መሰርታዊ ፍታሕ ዝሓትት ውሽጣዊ ጸገማት ውድብ ከም ሽግር መራሕነትን ውድባዊ ቅርጺን ነይሩ ኢዩ።
- ኣብ መጨረሽታ ድማ እቲ ንተራ ውድብ ብዓቐንን ብዓይነትን ዝጸሉ ዓቢ "ዋሕዚ" ተሰለፍቲ ነይሩ።

በዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት ሰውራዊ ባይቶ ዝብዘሐ ካብ ውሽጢ ኣብላቱን ፈጻሚት ሽማግለን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣቑሙ ንካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ምድላዎት ገብረ። ገለ ካብቲ ቀንዲ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝፈጸመቶ ከኣ ኣብ ፖለቲካውን ስርዒታውን (ውድባዊ ቅርጺ) ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ ናይ ለውጢታት ሓሳባት ምቕራብ፡ ኣባልነት ጉባኤ ምውሳንን ምርጫታት ምክያድን ነይሩ። ናይዚ ጉባኤ ጉዳያት ወይ ኣርእስቲታት እምበኣር ኣብ ትሕቲ እዚ ዝስዕብ ዓበይቲ ኣርእስቲታት ክንካታዓሉ ኢና።

## 1. ውሽጣዊ ኩነታት

- **ውሽጣዊ ጸገማት፡** ኣብ ውሽጢ'ዚ ንዛረበሉ ዘሎና እዋን ማለት (1972-1975) ኣብ ውሽጢ ውድብ፡ ምናልባት ፈላሊኻ ክትርእዮ ኣሸጋሪ'ኳ እንተኾነ ከም ውሽጣዊ ጸገማት ሰልፊን ውሽጣዊ ሽግራት ተ.ሓ.ኤን ተባሂሉ ክግለጽ ዝከኣል ሽግራት ተቐልቂሉ ኢዩ። ነዚ ክልተ ጉዳያት ንተልእኾና ብዘብርሃልና ኣገባብ ክንገልጾ ክንፍትን ኢና። እዚ ክንብል ከሎና ድማ ኣብ መንጎ ክልተኡ ጉዳያት ዘሎ ምትእትታው ኣብ ግምት ብምእታው ነገራት ንኽትርድኦም ብዝቀለለ ኣገባብ ምቕራብ ማለት ኢዩ።

**ሽግራት ሰልፊ ዕዮ፡** ሰልፊ ዕዮ ፖለቲካዊ ዝናኡ ከም ተቓዋሚ ሰልፊ ኢዩ ሃኒጹ። ድሕሪ ባይታ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ተመኩሮ ሰውራ ዝተፈለለየ'ኳ እንተኾነ ኣብ ሓደ ሰልፊ ንኽውደቡ ዝገበረ ናይ ሓባር ረቛሒታት ኣብ መንጎኦም ነይሩ ኢዩ። ሓደ ካብኡ ንኣብነት መተካእታ ናይቲ ላዕለዋይ ባይቶ ዝኸተሎ ዝነበረ ኣብ ወገናዊ ኣውራጃውን ቀቢላውን ዝምባሌታት ዘተሰረተ ፖለቲካዊ መስመር ምድላይ ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሱ ድማ እቲ ሰልፊ፡ ካብቲ ቅድሚ ጉባኤ "ኣዱብሓ" ዝተመሰረተሉ

እዋን ጀሚሩ ነቲ ኣብ ቅድሚ ሓድነት ሰውራን ሓይልታቱን ዕንቅፋት ዝነበረ ወተሃደራዊ ክፍልታት ንኽብቅዕ ይሰርሕ ነይሩ። ከምኡውን ሰልፊ ዕዮ ብኣባላቱ ኣቢሉ ኣብ ምዕዋት ጉባኤ **"ኣዶብሓ"** (1969) ምቅሉል ኣበርክቶ ገይሩ ኢዩ።

ሰልፊ ዕዮ ኣብ ውሽጢ'ቲ ካብ ጉባኤ **"ኣዶብሓ"** ዝተመርጸ ጠቕላሊ መሪሕነት ጸለውቲ ባእታታት እኳ እንተነበርዎ፡ ኣብ መድረኽ ጠቕላሊ መሪሕነት (1969 -1971) ቀንዲ ተራ ዝተጻወተ ግን ከም ተቓዋሚ ሓይሊ ኮይኑ ኢዩ። እዚ ተራ'ዚ ብውዱብ መልክዕ ዝጀመረ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ካብ ወረቐት ደክቶር ያሕያ ጃብር ጀሚሩ ክኸውን ከሎ፡ ክሳብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣንፈት ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ምውሳንን ምምራሕን ዓቢ ኣበርክቶ ነይርዎ።

ሰልፊ ዕዮ ኣብ መጨረሽታ፡ ሕቶ ስልጣን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንረብሓኡ ክድምድም ኢዩ ዝደሊ ነይሩ። ስልጣን ምቁጽጻር ድማ ናይ ዝኾነ ዝምስረት ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ሕጋዊ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ዕላማ ኢዩ።

ከምቲ ዝርኣናዮ ድማ ሰልፊ ዕዮ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ሕቶ ስልጣን ብዝሰፍሐ ናብ ረብሓኡ ቀይርዎ ኢዩ። ካብ ናይ ተቓዋሚ ቦታ ድማ ናብ ስልጣን ተሰጋጊሩ። እምባኣርከስ፡ ብድሕሪኡ ዝወሰዶ ስጉምቲታት ከ ከመይ ነይሩ?

ሰልፊ ዕዮ፡ ካብቲ ናይ ሳልሳይ ዓለም ሰልፊታት ሕማም ዝኾነ ናይ ስልጣን ውድድር፡ ናጻ ክኸውን ኣይካኣለን። ኣብዚ ንዛረበሉ ዘሎና እዋን (1972-1975) ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ዕዮ፡ ብዘይካ ናይ ስልጣን ውድድር ካልእ መግለጺ ክወሃቦ ዘይክእል ፍልልያት ተኸሲቱ። እዚ ውድድር'ዚ ድማ ብቀዳምነት ንሓድነት ሰልፊ፡ ብካልኣይ ደረጃ ከኣ፡ ንተራኡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ብኣሉታ ከጸሉ ከሎ፡ ብሳልሳይ ደረጃ ድማ ከም ውጽኢት፡ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝተካየደሉ እዋን ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ሰልፊ ዘይእውጅ ፍልልያት ምቅልቓል ኣኸተለ።

እዚ ፍልልያት ወይ ውድድራት'ዚ ክልተ ቀንዲ መድረኻት፡ እቲ ቀዳማይ መበገሲ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ናብ ጥርዚ ከምዝበጽሐ ዝሕብር፡ ነይሩዎ።

***ቀዳማይ መድረኽ፡*** እዚ መድረኽ'ዚ እቲ ኣብ **"ሽሻሕ"** ድሕሪ ክልተ ወርሒ ካብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ክፍላ ጥሪ 1972 ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ኢዩ።

እዚ ንኣስታት ክልተ ሰሙን፡ ማለት ክሳብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ለካቲት ዝቀጸለ ኣኼባ፡ ብርክት ዝበሉ ለበዋታት፡ ብፍላይ ከኣ ንውሳኔትታ ጉባኤ ንምትግባር ዝምልከቱ መደባት ኣሕሊፉ። ካብቲ ቀንዲ ኣኼባ ዘሕለፎ መደባት እቶም ንኽምሰረቱ ጉባኤ ወሲኑዎም ዝነበሩ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ደቂ-ኣንስትዮን ምቛም፡ ጠለባት ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚት ሽማግለ ምውሳን፡ ምቛም ክፍሊ ዜናን ምሕታም ወርሓዊ መጽሄትን ዝብል ነይሩ። (ከም ዝፍለጥ እዚ ኣኼባ'ዚ ጸብጻብ ናይተን ምስ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓን **"ያበልን"** ንኽራኽባ ዝተመዘዛ ኮሚተታት ምስ ርኣየ፡ ኣንጻር እዘን ክልተ ውድባት ናይ **"ምቅንጻል"** ውሳኔ ንኽሕልፍ ናብ ሰውራዊ ባይቶ ለበዋ ዘሕለፈ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። ምዕራፍ 13 ተወከስ።)

ለበዋታት ናይቲ ኣኼባ ንምጽዳቑ ናብ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ተመሓላለፈ፡ ኣብ ውሽጢ ሰውራዊ ባይቶ ፈጻሚት ሽማግለ ንስልጣና ሰጊራ ዝብል ስምዒት ተረእዩ። ነቲ ክሲ ዘቕረበ፡ ቀዳማይ ምክትል ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶን ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ሕሩይ ተድላ ባይሩ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ጉዳይ ኣብ መጀመርታኡ፡ ክልተ መሪሕነት ካብ ሓደ ጉባኤ ዝተመርጹ ዝተኣታተወ ስልጣን ዘለዎም ብምኳኖም ካብ ናይ ውድባዊ ቅርጺ ሽግር ዝመጸ

ይመስል ነይሩ። እንተኾነ ግን እቶም ዝምልከቶም ወገናት ኣባላት ሰልፊ ስለዝነበሩ፣ እቲ ፍልልያት ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ልሒኹ። እቶም ብዝያዳ ብመርገጺ ሕሩይ ዝተሰመየም ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ኢዮም ነይሮም። ምኽንያቱ፡ ንፈጻሚት ሽማግለ፡ ዋላ እውን ለበዋ ናብ ሰውራዊ ባይቶ ንኽይተመሓላልፍ ምሕራም፡ ኣብ ስልጣን ንኽይትሳተፍ ንተራኣ ምስራዝን ካብ ሰውራዊ ባይቶ ትእዛዝ ጥራይ ዝጽበ ኣካል ምግባሩን ስለዝመሰሎም።

እቲ ፍልልይ ግን ገለ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ብዝገበርዎ ምትእትታው ኣብ ቁጽጽር ኣትዩ። ሕሩይ እውን ካብቲ ፈጻሚት ሽማግለ ኣብ እስትራተጂያዊ ጉዳያት፡ ከም ምቛም ህዝባውያን ማሕበራት ዝምልከት ዋላ ለበዋ ከተመሓላልፍ ስልጣን የብላን ዝብል መርገጺኡ ተመሊሱ።

ይኹን'ምበር እቲ ኣብ ምትግባር ስልጣን፡ ጉዳያት ተ.ሓ.ኤን ሰልፊን ዝተጠናነገሉ ተርእዮ'ቲ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝገለጽናዮ ኣብ ጉባኤ ዝነበረ ሕሉፍ መርገጺታት፡ ከም ምሕዝነት ሕሩይ ምስ ኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ንቦኡ ዝገበሮ ፕሮፓጋንዳን ኣዘካኺሩ። ብመሰረት እዚ ሓድሽ መርገጺ ሕሩይ ድማ ሓድሽ ትርጉማትን መግለጺታትን ክዋሃቦ ጀሚሩ።

ይኹን እምበር እቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ዝተኸሰተ ወጥሪታት ኣብ ምፍኳስ ክልተ ረቛሒታት ተራ ተጻዊቶም። ንሳቶም ከኣ፡ ሕሩይ ንወጻኢ ምኻዱን ኣብኡ ዳርጋ ንክልተ ዓመት ምጽንሑን፡ ካልኣይ ድማ ኣባላት ክልቲኡ መሪሕነታት **"ብዙናት ሓድሕድ"** ምሽቃሎምን ምቛም ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚት ሽማግለን ካልእ ብጂኦግራፍ ዘረሓሓቆምን ኣቃልቦኦም ኣብ ዝያዳ ህጹጽ ዝኾነ ጉዳያት ከም ዘተኩሩ ዝገበሮምን ዕማማትን ኢዩ።

**ካልኣይ መድርኽ፡** እዚ መድረኽ'ዚ እቲ ኣብ ሓምለ 1974 ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፊ ዕዩ ኢዩ። እቲ ሰልፊ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1968 ዘካየዶ መስራቲ ርክቡ ዝኾነ ጉባኤ ኣይገበረን ነይሩ። ንጹር ውድባዊ ቅርጺ እውን ኣይነበሮን። ስለዚ ከኣ እቲ ስራሕ ኣብ ቦታ ወይ ከባቢ ብዘለው ኣባላት ብዝገብርዎ ርክባት ኢዩ ዝፍጸም ነይሩ። ብከምዚ ዓይነት ርክባት ከኣ ብመሰረት'ቲ መሪሕነት ሰልፊ ዘውጽኦ መደረኻዊ ዕማማት፡ ናይ ስራሕ መደባት ይወጽእን ይትግበርን ነይሩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ፡ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ፡ ንጥፈታት ሰልፊ ኣብ 1970፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጉባኤ ዓዋተን ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤን ተኻይዱ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ዓቢ ምትእምማን ነይሩ ኢዩ። ነቲ ምትእምማን ብዝያዳ ዘድልደለ ድማ ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ ክረጋገጽ ዝድለ ዝነበረ ዕላማታት ብሩህ ስለዝነበረ ኢዩ። ከምኡ'ውን መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ሜዳ ብምንባሩ ኣብ ኩሉ ጉዳያት ሓሳባት ንምልውዋጥን ብዛዕባ እቲ ክግበር ዘለዎ ምስምማዕን ዕድል ነይሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ክሳብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድ ጉባኤ ሰልፊ ከም ኣገዳሲ ጉዳይ ክቐርብ ዘይከኣለ።

ድሕሪ ጉባኤ ግን፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ፍልልያት ክጅምርን **"እገለ ምስዚ፡ እገለ ምስቲ"** ዝብል መግለጺታት ክወሃብ ምስ ተጀመረን፡ ነቲ ውሽጣዊ ሽግራት ንምፍታሕን ሓድነት ሰልፊ ንምዕቃብን ፍልልያቱ ከማሓድር ዝኽእል ሰልፊ ንምህናጽን ጉብኤ ሰልፊ ክካየድ ዝጠልብ ድምጺታት ክስማዕ ጀሚሩ።

እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪ ምህላው ገለ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ናይ ወጻኢ ስራሕን ሕቶ ወተሃደራዊ ግጥማትን ቀጻልነቱን፡ ጉባኤ ክሳብ ክፍላ 1974 ንኽይካየድ ኣይተኻእለን።

ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፊ፡ ኣብ ከተማት ከሰላ ሱዳን ኣብ ሓምለ 1974 ተኻይዱ። ሰልፊ ስሩዕ ዋህዮታት ስለዘይነበሮ፡ ኣባላነት ጉባኤ ብመገዲ መሪሕነት ሰልፊ ተወሲኑ።

መሪሕነት ሰልፊ ጽሑፍ ሰነዳት ስለዘየቕረበ፡ ጉባኤ ሽግራት ሰልፊ ብግልጺ ከመያይጠሎም ኣይከኣለን። ስለዚ ድማ ንገለ ጉዳያት ተመያይጡ ገለ ውሳኔታት ክወስድ ከሎ፡ ጉባኤ ሰልፊ ድሕሪ'ቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረ፡ ድሓር ግን ኣብ ከበሳ ምዕባለታት ምስ መጸ ዝተመሓላለፈ ካልኣይ ሃገርዊ ጉባኤ ክቅጻል ወሲኑ።

ቀንዲ መለለዪ ናይቲ ጉባኤ ውሽጣዊ ፍልልያት ዝበርሃሉን ውሑዳት ዘይኮኑ ኣባላት ዝተጸንበርዎ ወወገንካ ዝመስል ምክፍፋላት ዝተጋህደሉን ምዃኑ ኢዩ።

ጉባኤ፡ ሓቀኛ ጉባኤ ክገብሮ ዝኽእል መሰረታዊ መቆሚታት ኣብ ዘይብሉ፡ ብዘይካ ናይ ምርድዳእ ባህሪ ዘለዎ ግዝያዊ ፍታሕ ምግባር ካልእ ምርጫ ኣይነበሮን። ብሓቂ እቲ ዝገበሮ እውን ንሱ ኢዩ ነይሩ። ክሳብ መመላእታ ናይዚ ጉባኤ ድሕሪ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝካየድ፡ ስርሓት ሰልፊ ዝመርሕ ሰክረታርያ ሰልፊ ካብ ሰለስተ ኣባላት፡ ኣዜን ያሲን፡ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊን ኣቝሙ።

በቶም ኣባላት፡ ታሪኻዊ መሪሕነት ናይቲ ሰልፊ ዝነበሩ ኣዜን ያሲንን ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊን ኣብቲ ዝነበረ ፍልልያት ከም ቀንዲ መራሕቲ ናይ ሓደ ወገን፡ ሕሩይ ድማ ናይቲ ካልእ ይግለጹ ነይሮም። እንተኾነ ግን ብሰንኪ'ቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ምኽንያታት፡ ሕሩይ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ዝዋሓደ ደገፍ ዝነበሮ ኢዩ ነይሩ። ምስ'ዚ ኩሉ ግን ነቲ ዝነበረ ፍልልያት ንምስጋርን ኣብ መንጎ ኣባላት ምትእምማን ንምምላስን እንተ ሓገዘ ተባሂሉ ንዝሓለፈ ፍልልያት ብምግዳፍ ኣባል መሪሕነት ንክኸውን ተመሪጹ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ኣብ ምቛም ሰክረታርያ ዝተወሰደ ኣስማማዒ ፍታሕ ዓወት ክርኢ ኣይከኣለን። ኣባላት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ቦታ ጉባኤ እናተኣከቡ ከለው፡ መብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ፡ ሕሩይ ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. እንደገና ንኸይምረጽ ይሓቱ ነይሮም። ዳርጋ ኩሉ ድማ ኣብ ሊስታ ሰልፊ ዕዮ ስም ሕሩይ ተድላ ባይሩ ንኸየቕርብ ናብታ ሰክረታርያ ተጽዕኖታት ይገብር ነይሩ። እዚ መርገጺ'ዚን ውጽኢቱን ምስ ካልእ ንጉባኤ ዝምልከት ጉዳያት ስለዝተኣሳሰር ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ጉባኤ ክንርእዮ ኢና።

**ጸገማት ተ.ሓ.ኤ.፡** ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ'ቲ ኩሉ ተጋደልቲ ኣብ መናባብርኦም ዘሕልፍዎ ዝነበሩ መሪር ኩነታትን ዝነበሮም ሕጽረት ብረትን ጠያይቲን ሓድነት ውድብ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኢዩ ነይሩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንክሎ ግን፡ ኣንጻር ህ.ሓ.ሓ. ዝካየድ ዝነበረ ወተሃደራዊ መኸተ ብምንውሑ፡ ኣብ ወጻኢ ኣብ ገለ ኣካላት ሓፋሽ ውድባት ነቲ ውግእ ጽልኣት ክርኢ ጀሚሩ። እዚ ግን ብዕቱብ ንሓድነት ውድብ ዘስግእ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነትን መሪሕነቱን፡ ወተሃደራዊ መኸተ ንምቕጻል ናይ ተቓውሞ መርገጺ እኳ እንተ ዘይነበረ፡ እቲ ዝካየድ ኲናት፡ ብፍላይ ከኣ ኣሃዱታት ህ.ሓ.ሓ. ኣብ ነሓሰ 1974 ናብ ከበሳ ምስ ደየበ፡ ናብ ረብሓ ተ.ሓ.ኤ. ከድምደም ከም ዘይክእል ተጋደልቲ ክኣምኑ ጀሚሮም።

ስለዚ "ሳቦት ሰንኩት"ን ብጸቱን ምስ ተጋደልቲ ህ.ሓ.ሓ. ንምርኻብ ዝወሰድዎ ተበግሶን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምስ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ምስ ተራኸበን ቁጡዕ መልሰ ተግባር ዘይምምጽኡ፡ ኣብ ኣእምሮ መሰረታት ውድብ፡ ህዝብን ሰራዊት ሓርነትን፡ መደብ **"ቅንጸላ"** ከምዝፈሸለን ኣብ ምምሕዳር እቲ ግርጭት ካብ ወተሃደራዊ ኣገባብ ወጻኢ፡ ካልእ ኣገባባት ክውሰድ ድሌት ከም ዝነበረን ኢዩ ዝሕብር።

- **“ዋሕዚን”** ሽግራቱን፡ እዚ ኣዝዩ ብዙሕ ቁጽሪ ተሰለፍቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዘስዓቦ ኣሉታውን ኣወንታውን ጽልዋ፡ ድሕሪ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኢዩ ተኸሲቱ። ምኽንያቱ እቶም ተሰለፍቲ ኣብ ግዜ ምስንዳእ ጉባኤ ኣብቲ ኣብ **“ርብዳ”** **“ባርካ ታሕታይ”** ዝተወሰነሎም ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ገና ወተሃደራዊ ታዕሊም ይወስዱ ስለዝነበሩ። ስለዚ እዚ ጉዳይ’ዚ ንናይ ድሕሪ ጉባኤ መድረኽ ዝምልከት ብምንባሩ እዚ መጽሓፍ’ዚ ከጠቃልሎ ኣይክእልን ኢዩ።

ሕጂ፡ ብዛዕባ ጉባኤን ውጽኢቱን ዝጸለው ረቛሒታት ኣብ እንዛረበሉ ዘሎና ዘገድሳና ክልተ ጉዳያት ኢየን። ቀዳማይ ሓፈሻዊ ገምጋም፡ ወይ መረዳእታ ተሰለፍቲ ንተ.ሓ.ኤ.፡ ካልኣይ ድማ ኣጠማምታ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንተራ ናይቶም ተሰለፍቲ ኢየን።

- ቀዳማይ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ተሰለፍቲ ኣብቲ ንሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወስድሉ ዝነበሩ እዋን፡ ብዛዕባ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣገባብ ስርሓን፡ ክሳብ ክንደይ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነት ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ተፍቅድን ብዙሕ ፈሊጦም ኢዮም።

ልክዕ’ዩ እቶም ወተሃደራዊ ታዕሊም ክህብዎምን ብፖለቲካ ከነቃቕሕዎምን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝመዘዞም ወተሃደራውን ፖለቲካውን ካድራት ኣብ ምምራጾም፡ ኣብ ርእሲ ዘለዎም ብቅዓት ብዝተኻእለ መጠን ምስኣታቶም ብቛንቋ ክራኸቡ ዝኽእሉ ክኾኑ ከምዘለዎም ኢዩ ተገይሩ። ይኹን እምበር፡ እዞም ካድራት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ክፉትነትን ናጻ ክትዕን ዝዓበዩ ካድራት ተ.ሓ.ኤ. ኢዮም ነይሮም። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝተዓዘብናዮ ከኣ፡ እዚ ካብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኸስበ ብልጫ ኢዩ።

እቶም ወተሃደራውያን ዓለምቲ ወይ ናይ ፖለቲካ ካድራት፡ ውግእን ኣገባባቱን ድስፕሊንን ጥራይ ኣይኮኑን ዝምህሩ ዝነበሩ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ’ውን ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤን ውሽጣዊ ዝምድናታቱን የቕስምዎም ነይሮም ኢዮም።

እዚ፡ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ዝረኸብዎ ዝነበሩ ፍልጠት’ዚ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤን መዓልታዊ ሂወታን ዝበለጸ ተሳትፎ ብዛዕባ ዝገብርሉ ኣገባባት ንኽናድዩ ኣተባቢዕዎም ኢዩ። ስለዚ ድማ ኣብ መጀመርታ፡ ኣብ ውሽጢ መዓስከር ታዕሊም መዓልታዊ ፖለቲካዊ ሂወት ኣብ ምንጥጣፍ ክሳተፉ ጀሚሮም። ኣብዚ መደይ’ዚ፡ ኣብ መንጎኦም ክብ ዝበለ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘለዎም ተራእዮምን ምስቶም ዓለምቲ ብምውህሃድ ፖለቲካውን ባህላውን ስራሓት ኣብ ምክያድ ክሳተፉ ጀሚሮም። ከም መቀጸልታ ናይዚ ኣበርክቶ’ዚ ድማ፡ ኣብቲ እናረኣይዎን እናሰምዕዎን ዝሰናዳእ ዝነበረ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽስተፉ ድሌት ክርእዩ ጀሚሮም። ነዚ ድሌት እዚ ድማ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብመገዲ ሓለፍቶም ይገልጹ ነይሮም።

- እንተ ኣጠማምታ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንተራኦም ብዝምልከት፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ውድብ ካብ ኣፍደገ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ በጺሑ ከሎ፡ ኣብ ቅድሚ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ ሕቶ፡ ጉዳይ ምስታፍ ወይ ዘይምስታፍ ናይዞም ሓደሽቲ ተሰለፍቲ ኣብ ጉባኤ ዝብል ነይሩ። እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ውሽጢ ክልቲኡ መሪሕነታት ተ.ሓ.ኤን ካድራት ሰልፊን መካትዒ እኳ እንተነበረ፡ ሰውራዊ ባይቶ ግን ክሳብ ኣብ ቦታ ጉባኤ ምልኣተ ኣባላቱ ኣብ ዝጽበየሉ ዝነበረ እዋን ክመያየጠሉ ዕድል ኣይረከበን። ሰውራዊ ባይቶ ክሳተፉ ምስ ወሰነ፡ ኣብ ውሽጢ ኣሃዱታቶም ቅልጡፍ ምርጫታት ተኻይዱ ነቶም ዝተመርጹ ናብ ቦታ ጉባኤ ከም ዝመጹ ተገይሩ።

እዚ ዘቕረብናዮ ጽማቕ ናይቲ ሰውራዊ ባይቶ ዝበጽሖ ኮይኑ፡ ናብዚ ውጽኢት’ዚ ንምብጻሕ ግን ኣብ ውሽጢ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ክዝንቶ ዝግብኦ ክትዓትን መርገጺታትን ተኻይዱ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሰውራዊ ባይቶ ክልተ

ርእይቶታት ቀሪቡ። ሕጂ ብሕጽር ዝበለ እነቅርቦ ከኣ ንሱ ኢዩ።[170] ቀዳማይ ክሳተፉ ኣለዎም ዝብል፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ክስተፉ የብሎምን ዝብል ነይሩ። ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ከኣ ኣብዚ ክልተ ርእይቶታት ተመቃቒሎም። ነቲ ቀዳማይ ርእይቶ፡ ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ክድግፍዎ ከለው፡ ነቲ ካልኣይ ርእይቶ ከኣ ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶን ኩሎም ዝተረፉ ካልኦት ኣባላትን ደጊፎምዎ።

- እቲ ኣብ ጉባኤ ክስተፉ ኣለዎም ዝብል ዝነበረ ወገን ዘቅረቦ ምኽንያታት፡ እዚኦም ኣብ ውድብ ሓደስቲ እኳ እንተኾኑ፡ ንብዝሖም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ግን ኣብ ጉባኤ ምስታፎም ንተራኦም ኣብ ውሽጢ ውድብ ከሕይል ይኽእል ኢዩ፡ እንተ ድኣ ዘይተስቲፎም ግን ኣብ ልዕሊ ውድብ ዝህልዎም እምነት ክደኽም ይኽእል ኢዩ፡ ንተማእዛዝነቶም ኣብ ውሳኔታት ጉባኤ እውን ክጽልዎ ይኽእል ኢዩ ዝብል ነይሩ።
- እንተ’ቲ ኣብ ጉባኤ ክሳተፉ የብሎምን ዝብል ዝነበረ ወገን ዘቅረቦ ምኽንያታት፡ እዚኣቶም ሓደስቲ ስለዝኾኑ ብዛዕባ ውድብ ሓንቲ ኣይፈልጡን ኢዮም። ስለዚ ድማ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጠቕላላ ጉባኤ ውድብ ምስታፎም ግዚኡ ዘይኣኸለ ጉዳይ ኢዩ ዝብል ነይሩ።

ኣብ መጨረሽታ ግን እቲ ክሳተፉ ኣለዎም ዝብል ርእይቶ ብድምጺ ተዓዊቱ፡ ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ኣድሚጾምሉ፡ ዝበዝሑ ኢዮም ነይሮም።[171]

እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ንርእይቶኡ ኣብ ዝከላኸለሉ ዝነበረ እዋን፡ እተን ዝማዕበላ ማሕበርነታውያን ሰልፊታት ንገዛእ ርእሰን ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ኣብ ጠቕላላ ጉባኤታተን ኣየሳትፉን ኢየን ክብል ከምዝተዛረበ ከኣ ተስፉይ ተኽለ ይገልጽ።

ብድሕሪ’ዚ፡ መጠን ውክልናኦም ኣብ ጉባኤ ንክትዕ ቀሪቡ። ኣብዚ፡ ኣባላት ሰልፊ ንባዕሎም ተኻፊሎም። ዓብደላ እድሪሳ፡ ሓንቲ ሓይሊ (ሓንቲ ሓይሊ ኣስታት 200 ኣባላት ነይሩዋ) ብሰለስተ ሰባት ክትውከል ሓሳብ ክቕርብ ከሎ፡ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ብሓሙሽተ ተጋደልቲ ክትውክል ሓሳብ ኣቕረበ። ክልቲኡ ርእይቶታት ንድምጺ ምስ ቀረበ ድማ ርእይቶ ዓብደላ እደሪስ ተዓዊቱ፡ ነፍሲ ወከፍ ሓይሊ ብሰለስተ ተጋደልቲ ክትውከል ተወሲኑ።

ተሰፉይ ተኽለ ንነፍሲ ወከፍ ርእይቶ ዘድምጹ ኣስማት ኣባላት ሰልፊ ኣይዝክሮምን ኢዩ። እንተኾነ ግን ወገን እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ብምሉኡ ንርእይቶ ዓብደላ እድሪስ ከምዝደገፈ ጸቡቕ ገይሩ ዝዝክሮ ኢዩ።

ክልቲኡ ተገራጫዊ መርገጺታት ኣባላት ሰልፊ ካብ ፖለቲካዊ ሕሳባት፡ ብፍላይ ከኣ ብወገን ሕሩይን ዓብደላን፡ ናጻ ኣይነበረን። ቀዳማይ ምክትል ኣቦ መንበር ሕሩይ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ.፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ፡ ደገፉ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ዘንቆልቆለ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ናይዚ ሓድሽ ሓይሊ’ዚ ድምጺ የናዲ ነይሩ ኢዩ። ዓብደላ እድሪስ ድማ ሕሳባት ሕሩይ ይርዳእ ስለዝነበረ፡ ነቲ ዕድል

---

[170] እዚ ኣብዚ ኣቕረብናዮ ዘሎና ሓበሬታ ኣባላት ሰልፊ ድሕሪ እቲ ኣኼባ ፈሊጦምዎ። ብመሰረት ኣባል ሰውራ ባይቶ ዝነበረ ተስፉይ ተኽለ ብ7 መጋቢት 2007 ንደራሲ ዘዘንተወሉ ከኣ ነቕርቦ።

[171] ኣባላት ሰልፊ ዕዮ፡ ሕሩይ ተድላ ባይሩ፡ ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ፡ ዓብደላ እድሪስ፡ ሳልሕ ኣሕመድ ኢያይ፡ ኣምና መለኪን፡ ዓሊ ዑስማን ሕንጢ፡ ተስፉይ ተኸለ፡ ኣሕመድ ሙሓመድ ናስርን ሙሓመድ ብርሃን ብላታን ክኾኑ ከለው፡ እቶም ነቲ ካልእ ዘድመጹ ከኣ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም፡ ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ፡ ሙሓመድ ዑስማን እዛዝ፡ ኣሕመድ ኢብራሂም ነፍዕ (ሓሊብ ሰተ) ሙሓመድ ሳልሕ ሕመድ ኢዮም። (ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ሽሐም ኢብራሂም ሽሐም ናብ ጸላኢ ብድልየቱ ሰሊሙ ስለዝነበረ ኣብቲ ኣኼባ ኣይተሳተፈን ማለት ኢዩ)

ከጥፍኣሉ ይደሊ ነይሩን፡ ሽዑ ዘይበረሀ ካልእ ሕሳባት'ውን ነይርዎ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ናይዚ ሓድሽ ሓይሊ'ዚ ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ፡ ብዲሞክያስያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ተወከልቲ 110 ይበጽሑ ነይሮም።

# 2. ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ጉባኤን ሓይልታቱን

**ሓፈሻዊ ሓበሬታ**፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካብ 15/7-19/7/1974 ኣብ ዘካየደቶ ኣኼባ ኣብ ዘውጽኣቶ ካልኣይ ኣዋጅ፡ መጠን ውክልና ኣብ ጉባኤ ኣዊጃ። እቲ ውክልና፡ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ክፍልታት ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚት ሽማግለ፡ ኣብያተ ጽሕፈት ወጻኢ፡ ህዝባውያን ማሕበራትን ሓረስቶት ኣብ ክፍሊ ምምሕዳራትን ዘጠቃለለ ነይሩ። ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝነበረ ከኣ እቲ ውክልና ብናጻ ምርጫ ኢዩ ተወሲኑ። መስርሕ ምርጫ ብኣሰናዳኢት ሽማግለን ንዓኣ እትታሓጋገዝ ብ25 ካድራት ዝቆመት **"ጉጅለ ጉባኤ"** ዝተሰመየት ተካይዱ። ነቲ ኣብ ሜዳ ዝተኸስተ ዓቢ ምዕባለታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዝበዝሐ ሓፋሽ ካብቶም ኣብ ህዝባውያን ማሕበራት ዝተወደቡ ይኹኑ፡ ወይ እውን ኣብ ገጠራት ኤርትራ ኣብ ክሊ ሽማግለታት ዓዲን ወረዳን ዝርከቡ ህዝቢ ንምስታፍ ተወሲኑ። በዚ ከኣ መጠን ውክልና ህዝቢ ከምዚ ዝስዕብ ኮይኑ።

**ህዝባውያን ማሕበራት**

- ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ 50 ወከልቲ
- ጠቕላላ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ 25 ወከልቲ
- ጠቕላላ ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራ 15 ወከልቲ
- ማሕበር ሰደተኛታት ኤርትራውያን 12 ወከልቲ

**ሓፋሽ ኣብ ገጠር**

- ነፍሲ ወከፍ ካብተን 12 ክፍሊ ምምሕዳራት ብሸሞንተ ትውከል።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ምምሕዳር ሽማግለታት ወረዳ ብኣርባዕተ ይወከሉ።

ከምኡ'ውን ነቲ ናጻ ዘይወጻ ዝነበረ ገለ ከባቢታት ኣብ ጋሽን ከበሳታትን ደንካልያን ተዋሂቡ ዝነበረ ውክልና ድሕሪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝተራኣየ ምዕባለታት ብምምሕያሽ ብዝያዳ ቁጽሪ ከምዝውከሉ ተገይሩ።

በዚ መሰረት ከኣ ጠቕላላ ቁጽሪ ኣባላት ጉባኤ 949 በጺሑ።

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ መራኽቢ ሩባ ባርካን ዓንሰባን ኢዩ ተኻይዱ። እዚ ከኣ ነፈርቲ ኰናት ኢትዮጵያ ነቲ ቀዳማይ ቦታ ድሕሪ ምህራመን ዝተመርጸ ከም መተካእታ ቦታ ዝጸነሐ ኢዩ ነይሩ። በቲ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ኣቦ መንበር ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራን ተጋዳላይ ዓሊ ዑስማን ሕንጢ፡ ተጋዳላይ ዓብደላ ዑስማን ሃከልን ሓደ ጣህር ዑስማን በኺት ዝተበሀለ ወኪል ህዝብን ተሰዊኦም።

ጉባኤ መጋባእያኡ ዕለት 6/5/1975 ከፊቱ። ደምዳሚ ኣዋጅ ብምንባብ ከኣ ብ27/5/1975 ደምዲሙ። ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተገብረ ድማ ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል፡ ኣቦ መንበር ሰክርታሪያ ጉባኤን መጋባእያታቱ ክመርሕን፡ ማሕሙድ ሓሰብ ከኣ ናይ ጸጥታ ጉባኤ ሓላፊ ኮይኖም ተመሪጾም።

**ሓይልታት ጉባኤ**

- ሰልፊ ዕዮ፡ ምስ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምንጽጻር፡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ብዝበዘሐ ኣባላት ኢዩ ኣትዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ሓደስቲ ኣባላት ስለዝተጸንበርዎ ኢዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ መሪሕነቱ ነቓዕ ሒዙ ኢዩ ኣትዩ። መብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ፡ ኣባል ሰልፊን ኣባል ሰክረታርያ ናይቲ ሰልፊን ሕሩይ ተድላ ባይሩ ካብቲ ኣብ ሰልፊ ዝተጸንበረሉ እዋን ኣትሒዙ ንሓድነቱን ንናይ ሓባር ስራሕ መንፈስን ከም ዝሃሰየ፡ ነቲ ኣባላት ሰልፊ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፊ (ክሰላ -ሓምለ 1974) ዝሃብዎ እምነት ከምዘየኽበረን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሰልፊን ተ.ሓ.ኤን ናቱ ዕብለላ ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ምምቅቃልን ሸግራትን ከም ዝፈጠረ ኢዮም ዝርእዩ ነይሮም። እዚ ሓፈሻዊ ገምጋም'ዚ፡ ኩሎም ዝስማምዕሉ እኳ እንተነበረ፡ ብዙሓት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ምስኡ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣባላት ብዛዕባ ኣብ ስራሕ ዝኽተሎ ዝነበረ ኣገባባት ብዙሕ ትዕዝብቲታት ነይሩዎም ኢዮም።

ብዙሓት ኣባላት ሰልፊ፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ዝተቃረበሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዕቃበታት ከም ዝነበሮምን ዕቃበታቶም ኣብ ጉባኤ ከም ዝበሰለን ርኢና ኤርና። ሓድነት ሰልፊ ንምሕላው ክብሉ ብኽመይ ከም ዝሰገርዎ እውን ርኢና። ሕጂ ግን እቲ ኩነታት ተለዊጡ። ኣባላት ሰልፊ፡ ንሱ ይቀበሎ ኣይቀበሎ ብዘየገድስ፡ እንደገና ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ንኽይመርጽዎ ዳርጋ ናይ ሓባር መርገጺ ነይርዎም። እዚ ነቓዕ'ዚ፡ መጠኑ ብዘየገድስ፡ ነቲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ጉባኤ ዝኣቱ ዝነበረ ሰልፊ፡ ከም ድኽመት ዝቑጸር ኢዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ እዋን እቲ፡ ህላወ ሰልፊን ስልጣን ተ.ሓ.ኤ. ምቁጽጻሩን ብብዙሓት ንስነ-ሓሳቡ ዝቓወሙ ክፍልታት ፍሉጥ ጉዳይ ኢዩ ነይሩ። ምናልባት እውን ኣብቲ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጉዳይ ምስታፍ ሓደስቲ ተጋደልቲ ኣብ ጉባኤ ኣብ ዝመያየጠሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ፡ ምዕቡላት ማሕበርነታውያን ሰልፊታት ንገዛእ ርእሰን ኣብ ጠቕላላ ጉባኤታተን ንኽምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሓደስቲ ኣየሳትፉን ኢየን ክብል ምዝራቡ ነዚ ዘረጋግጽ ምልክት ኢዩ ነይሩ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ እውን ነይሮም ኢዮም። ንኣብነት ጥሩፋት ባእታታት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ መጋባእያ ጉባኤ ወጻኢ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ኣብ ውሽጢ መጋባእያ "ፕሮግራም ኮሚንስት" ዝብል ቃል ይደጋግሙ ነይሮም፡ ብፍላይ'ኳ ብዛዕባ ምምዕባል ቋንቋታት ኣብ ዝዝረበሉ ዝነበረ ግዜ። እንተኾነ ግን ክውንነት ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተፈልየ ኢዩ ነይሩ። ብሰንኪ እቲ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ተመክሮኣ ዝተሳቀየትሉ ሸግራትን፡ ጉባኤ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ንተ.ሓ.ኤ. ዝጽበያ ዝነበራ ዓበይቲ ብድሆታትን፡ ኩሉ ኣብቲ ድሕነትን ምሕያልን ተ.ሓ.ኤ. ዘረጋግጽ መደባት ከም ዝተኩርን፡ ኣብ ክሊ'ዚ ከኣ ንጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ ከም ዝጻወርን ገይሩዎ ነይሩ። ሕጂ ግን ኩነታት ዝተፈልየ ኮይኑ። ድሕሪ ኣብ ሜዳ ዝተኸስተ ምዕባለታት፡ ንተ.ሓ.ኤ. ዝጽበያ መድረኽ እውን ዝተፈልየ ኮይኑ ምስዚ ኩሉ ግን፡ ሰልፊ ዕዮ፡ ሓደ ካብቶም ሓይልታት፡ ብሓቂ ድማ ካብቶም ቀንዲ ጸለውቲ ሓይልታት ኣብ ጉባኤን ውጽኢቱን ኢዩ ነይሩ።

- ካልኣይ ጉባኤ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን፡ ከም ፖለቲካዊ ክንፊ ነፍሱ ዝፈለየ ሓድሽ ፖለቲካዊ ሓይሊ እውን ነይሩ። እዚ ሓይሊ እዚ ከኣ ሰልፊ "በዓስ" ኤርትራ (ክንፊ ዒራቕ) ኢዩ።

ብሄራዊ ሰልፊ “በዓስ” ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ተማሃሮ ሰልፊ “በዓስ” ዒራቕ ስነ-ሓሳቡ ንምዝርጋሕ ብዘካየዶ ንጥፈታት ዝተመስረተ ኢዩ። ቀዳማይ ኣብ ሰልፊ “በዓስ” ዝኣተወ ኤርትራዊ፡ እቲ ኣብ ኣስታት 1973 ካብ ሓደ ዮኒቨርስቲታት ዒራቕ ዝተመረቐ ተማሃራይ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ኢዩ ነይሩ። ብሰልፊ “በዓስ” ዒራቕ ተደጊፉ ብዘካየዶ ንጥፈታት፡ ኣብ ውሽጢ ተማሃሮ ናይ ኤርትራ ሰልፊ “በዓስ” ተመስሪቱ፡ ናቱ ስነ-ሓሳብ ኣብ ውሽጦም ክዝርግሕ ድማ ጀሚሩ።

ኣብዚ ልኡኽ ዒራቕ ከም ሓደ ካብ ልኡኻት ፈተውቲ ሃገራትን ውድባትን ተሳቲፍሉ ዝነበረ ጉባኤ ድማ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ንኽትዕ ንኽወርድን ኣብ መንጎ ኣባላቱ ክጉስጉስሉን ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝኸውን ምሉእ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣቕሪቡ። ከም ወኪልን መራሒን ናይቲ ሰልፊ፡ ሰልፉ፡ ኣብ ጎኒ ሰልፊ ዕዮ፡ ሓደ ካልእ ፖለቲካዊ ክንፊ ክኸውን ይደሊ ከምዝነበረ ድማ ብሩህ ነይሩ። ልክዕ፡ እቲ ፕሮግራም ስም ሰልፊ በዓስ ኣይነበሮን። እንተኾነ ግን እቲ ምልክት ኣዝዩ ብሩህ ኢዩ ነይሩ።

ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ጎኒ ጎኒ'ቲ ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝተዳለወ ንድፊ ፕሮግራም፡ ናቱ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም እውን ንኽትዕ ንኽቐርብ ንሰክረታርያ ጉባኤ ሓቲቱ። እንተኾነ፡ ሰክረታርያ ጉባኤ ነቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዘዳለዎ ንድፊ ከቅርብ እምበር ካልእ ፕሮግራማት ንኽቅርብ ከምዝይተመዘዘ ብምሕባር ነጺጉዎ። ይኹን'ምበር ካብ ፕሮግራሙ ተበጊሱ ኣብቲ ቀንዲ ንድፊ ምምሕያሻት ንምግባርን፡ ንፕሮግራሙ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ገባኤ ክዝርግሖ መሰል ከም ዘለዎን ተሓቢሮ። እዚ ድማ መርገጺ ሰልፊ ዕዮ ኢዩ ነይሩ። ብሓቂ ከኣ፡ መራሒ ሰልፊ በዓስ ኤርትራ፡ ብመሰረት ኣረኣእያ ሰልፉ ኣብ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ምምሕያሻት ንምግባር ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዙሕ ተኻቲዑ ኢዩ። እንተኾነ ግን ብዙሕ ታዓዊቱ ክብሃል ኣይካኣልን ኢዩ።

እዚ ሓድሽ ሓይሊ'ዚ ሓደ ካብቶም ንጉባኤ ዘቆሙ ሓይልታት ኢዩ ነይሩ። ዋላ'ኳ ኣባላቱ ውሑዳት እንተኾኑ፡ ብመጠን ዓቕሙ ግን ካብቶም ኣብ ጉባኤን ውጽኢቱን ጽልዋ ክገብሩ ዝኽእሉ ሓይልታት ኢዩ ነይሩ።

- እቲ ካብ መደበር ታዕሊም ዝመጸ ሓድሽ ሓይሊ እውን ነይሩ። እዚ ሓይሊ'ዚ፡ በቲ መብዝሕትኡ ባእታታቱ ካብ ሓደ ብሄር ብምዃኖምን ብመጠኑ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ስለዝነበሮምን፡ ምስቲ ኩሉ ዋሕዱ፡ ሓደ ካብቶም ንጉባኤ ዘቆሙ መሰረታውያን ሓይልታት ኢዩ ነይሩ። ብኣተሓሳስባኡ ንሰልፊ ዕዮ ዝቐረበ ብምንባሩ ድማ በቲ ሰልፊ ኣቃልቦ ዝወሃቦ ዝነበረ ኢዩ። ሕሩይ ተድላ ባይሩ እውን ብወገኑ ንኽከስቦ ተስፋ ኣንቢርሉ ዝነበረ ሓይሊ ኢዩ ነይሩ።

እዚ ሓይሊ'ዚ፡ ንተመክሮ ተ.ሓ.ኤ. ኣይፈልጥን ነይሩ ክብሃል ዝከኣል እኳ እንተኾነ፡ እዚ ግን ከም ሓፈሻዊ ኣዛራርባ ጥራይ ኢዩ ሓቅነት ዝህልዎ። ካብኣቶም ውሑዳት ዘይኮኑ፡ በቲ ኣብ ውሽጢ ከተማታት ዘካይድዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ኩነታት ሜዳን ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ምፍንጫላትን ይፍልጡ ነይሮም ኢዮም። እዚ ማለት ከኣ፡ በዚ ይኹን በቲ፡ ብዛዕባ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ኣፍልጦ ነይሩዎም ማለት ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ኣብቲ ንኣርባዕተ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣብ መዓስከር ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝጸንሕሉ እዋን ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤን ውሽጣዊ ኩነታታን ብዙሕ ፈሊጦም ኢዮም። እቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ኣብ መደበር ታዕሊም ዝውደበሎም ዝነበረ ናይ ክትዕ ዓውድታትን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤ. ብዙሕ ንኽፈልጡ ኣኽኢሉዎም ኢዩ።

ወከልቲ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ምስ ሃዋሁው ጉባኤ ብትዕግስቲ ክዋስኡ ኢዮም ጀሚሮም። ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ናይ ሓባር መርገጺ ከይተሃወኸካ ንኩነታት ምጽናዕን ምርድኡን ዝብል ኢዩ ነይሩ ክብሃል ይከኣል።

እዚ ሓይሊ'ዚ ብሓባር ይኹን ብውልቂ ዝመርጾ መርገጺ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ውጽኢት ጉባኤ ዝጸልው ረቋሒታት ኢዩ ነይሩ።

- ከምኡ'ውን፡ እቲ ዝበዝሐ ዘይውድብ ወካሊ ሰራዊትን ህዝብን ነይሩ። መርገጺ ናይዚ ዝሰፈሐ ክፍሊ'ዚ ብመሰረት'ቲ ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ዝቐርብ ጉዳያትን ዝውሰደሉ መርገጺታትን ክውሰን ይከኣል ነይሩ ክብሃል'ኳ እንተተኻእለ፡ እዚ ግን ሓፈሻዊ ኣዘራርባ ጥራይ ኢዩ። እዚ ሓይሊ'ዚ፡ ብመሰረት ቦታ ስርሑ ኣብ ሰራዊት ሓርነት፡ ሓፈሻ ውድባት፡ ሽማግለታት ዓድን ወረዳን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ኣብ ኩሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ንጥፈታት ውድብ ይሳተፍ ነይሩን፡ ብዙሓት ካብኣቶም ከኣ ኣባላት ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ነይሮም ኢዮም። ስለዚ ከኣ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤን ዝኻይድ ዝነበረ ምዕባለታት ኣፍልጦ ነይሩዎም ኢዩ። እኳ ድኣ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብ ውሽጢ ጉብኤ ምስ ኣየናይ ሓይሊ ይዋስኡን ይሰርሑን ኣቐዲሞም መርገጽን ዕግበትን ነይሩዎም ኢዩ።

ካብዚ ንላዕሊ ግን፡ ናይዚ ዝበዝሐ ክፍሊ'ዚ ሓፈሻዊ ኣንፈት ዝሕብርን ሰልፊ ዕዮ ኣብ መብዛሕትኦም ኣባላቱ ዝያዳ ጽልዋ ዘለዎ ፖለቲካዊ ክንፊ ምዃኑን ዘእንፍትን ምልክታት ግን ነይሩ ኢዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ሰልፊ ዕዮ ናይቲ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘጽደቐ ፖለቲካዊ መስመር ተ.ሓ.ኤ. መቐጸልታ ስለዝነበረ ኢዩ። ኣብ ርእሰ'ዚ ድማ እቶም መብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ ዕዮ ዘይነበሩ መሰረታውያን ካድራት ውድብ፡ ካብ 1970 ጀሚሮም ምስ መደባት ናይቲ ሰልፊ ደው ብምባል፡ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ምጽዳቕ ኣበርክቶ ምግባሮም ንመርገጺ ናይቲ ሰልፊ ክብደት ይህብዎን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ንጽልዋኡ የስፍሕዎን ነይሮም ኢዮም። እዞም ካድራት እዚኣቶም ኣባላት ሰልፊ ዕዮ እኳ እንተዘይነበሩን ብዙሓት ካብኣቶም እውን ሰልፊ ከም ዘሎ ይፈልጡ እንተነበሩ፡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ንምእራም ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪታት ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም። ስለዚ ከኣ እቲ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘጽደቆ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ መስመር ምእንታኡ ዝተቃለሰ ፖለቲካዊ መስመሩ ኢዩ ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ እቲ ሰልፊ ዘረጋገጾ ዓወታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሱ ዘካየዶ ጻዕሪታት፡ ብሳላ ካብ ሰፊሕ ካድር ውድብ ዝረኸቦ ዓቢ ሓገዝ ኢዩ።

እዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰፊሕ ክፍሊ ናይቲ ጉባኤ ዓቢ ጽልዋ ዝነበሮ ካድር'ዚ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ እውን ንመስመር ሰልፊ ዕዮ ኣብ ምድጋፍ ገና ኣብ መርገጺኡ ስለዝነበረ፡ ጽልዋ ሰልፊ ዕዮ ኣብ ልዕሊኡ እቲ ዝዓበየ ኢዩ ነይሩ።

ኣብዚ ዝሰፍሐ ክፍሊ'ዚ ግን ካልእ ኣረኣእያታት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ጽልዋኡ ውሱን እኳ እንተኾነ ከም ዓረባዊ ብሄርነትን ኣስላማውን ዝኣመሰለ ኣረኣእያታት ነይሩ ኢዩ። ንረብሓ ናይዚ ኣረኣእያታት'ዚ ዝግበር ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ድማ ካብ ውሽጡ ደገፍቲ ይረክብ ነይሩ።

ስለዚ ኩሉ እምባኣር፡ መርገጺታት ናይዚ ዝሰፍሐ ኣካል'ዚ ኣብ ጉባኤን ውጽኢቱን ወሳኒ ተራ ክጻወት ይኽእል ነይሩ።

## 3. ጉዳይ ደሞክራስያዊ ዘተ

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ምስ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ዘካየዶ ርክባትን ጸላኢ ንምምክት ዝገበሮ ምውህሃድን ንምምኽናይ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ይኹን ሓፋሽ ውድባት ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ጓስጓስ ኣየካየደን። እቲ ኣብቲ እዋንቲ ዝኻየድ ዝነበረ ተኸታታሊ ምዕባለታት ነገዛእ ርእሱ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንዝቐርብ ሕቶታት ይምልሶ ኢዩ ነይሩ። ክልቲኡ ውድባት ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ ምብጽሑን መብዛሕትኡ ከባቢታት ከበሳ ሓራ ምውጽኡን ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ሰውራ ምስላፎምን ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝካየድ ዝነበረ "ኵናት ሓድሕድ" ደው ኣብ ምባል ዓቢ ተራ ነይሩዎ ኢዩ። እዚ ኩሉ ምዕባለታት'ዚ ድማ እቲ ዝተፈጸመ ቅኑዕ ምንባሩ ንኩሉ ክዕግብ ዝኽእል ኢዩ ነይሩ።

ልክዕ'ዩ እቲ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ህ.ሓ.ሓ. ዘተ ንምክያድ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ሓሳብ ከምዘቕርብ ዝገለጸሉ ብ30-4-1974 ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ኣንፈት ውድብ ኣብ ምውሳንን መትካል ዘተ ንምቕባል ባይታ ኣብ ምጥጣሕን ግደ ነይሩዎ ኢዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ምዕባለታትን ጽልዋኡ ኣብ ኤርትራን መሪሕነት ክልቲኡ ውድባት ንረብሓ ሰውራ ብዘገልግል ምስቲ ምዕባለታት ምውስኦምን ኣረኣእያ ውድብ ኣብ ጉዳይ ዘተ ቅድሚ ናብ ጉባኤ ምኻድ ኣብ ምስማሩ ወሳኒ ተራ ነይሩዎ ኢዩ።

ምስዚ ኩሉ ግን ኣብቲ ጉባኤ ሕቶ ቀሪቡ ኢዩ። ሰክረትርያ ጉባኤ፡ ኣጀንዳ ጉባኤ፡ ከም ጸብጻብ ሰውራዊ ባይቶ ምስማዕን ምምይያጡን፡ ንኩሉ ጉዳያት ንምምይያጥ ድማ ጉባኤ ኣብ ኮሚተታት ተኸፋፊሉ ናብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ጉብኤ ለበዋታቱ ከቕርብ ምኳኑን ምስ ገለጸ፡ እቲ ጉባኤ ናብ ምስማዕ ጸብጻብ ሰውራዊ ባይቶ ከይተሰጋገረ እንከሎ፡ ሓንቲ "ዓኢሻ" ዝተባህለት ተጋዳሊት ከትቕርቦ እትደሊ ሕቶ ከም ዘለዋ ጸቒጣ ስለዝተዛረበት ተፈቒዱላ። ሕቶኣ፡ **"መሪሕነት፡ ሰላምንታይ ምስቲ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተኾነነ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ተራኺቡ?"** ዝብል ነይሩ። እቲ ሕቶ ኣብ ግዚኡ እኳ እንተዘይቀረበ፡ ማለት ድሕሪ ጸብጻብ ሰውራዊ ባይቶ ምስማዕ ከቕርብ እንተነበሮ፡ ተቐባልነት ስለዝረኸበን፡ ኣባላት ጉባኤ ብድምጺታትን ምንቅስቓስን ስለዝድገፍዎን፡ ሰክረታርያ ጉባኤ መልሲ ክወሃቦ ዝሓሸ ምኳኑ ርእዩ። እቶም ነቲ ርክብ ዘካየዱ ዝሃብዋ መልሲ ብሓጺሩ፡ እቲ ከም ነጸብራቕ ናይቲ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዕልዋ ስርዓት ሃይለ ስላሴ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ዝመጸ ምዕባለታት ንምእንቲ ረብሓ ሰውራ ነቲ ርክብ ክካየድ ከም ዝኣዘዞ ዝገልጽ ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ'ቲ ዝተዋህበ መልሲ ካልእ ዝሳዓበ ሕቶ ኣይነበረን። ጉባኤ ድማ ስርሑ ቀጺሉ።

ምናልባት እቲ ከም ሕቶ ክቐርብን ክትዕ ክካየደሉን ዝግባእ ዝነበረ፡ ስለምንታይ ውጥን "ቅንጸላ" ፈሺሉ? ዝብል ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ከምዚ ዓይነት ሕቶ ዋላ በቶም ፖለቲካውያን ተጻረርቲ ሰልፊ ዕዮ እውን እንተኾነ ኣይቐረበን።

ንኣንባቢ ብዛዕባ'ቲ ሰውራዊ ባይቶ ዘቕረቦ ምኽንያታት ንኽይንቕርበሉ ጸብጻብ ሰውራዊ ባይቶ ክንረኽቦ ብዘይምኽኣልና የጉህየና። እንተኾነ ግን እቲ ምኽንያታት ኣብቲ እዋን'ቲ ኣገዳሲ ኣይነበረን። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኩሎም ኣባላት ጉባኤ **"ኣብ ጉባኤ ዝተመርጸ መሪሕነት ሓድነት ውድብን ሓድነት ሰውራን ንምውሓስ ምእንቲ ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት ንኽወስድ ስለዝወከልዎ"** መሻርኽቲ ምንባሮም ኢዩ። ኩሉ ከኣ ናይዚ ሓበራዊ መርገጺ'ዚ ሓላፍነት ክስከም ግድን ኢዩ። ሓላፍነት ናይዚ ውሳኔ'ዚን ሳዕቤናቱን ንሰልፊ ዕዮ ንበይኑ ከተስክም ድማ ዝከኣል ኣይነበረን።

ስለዚ፡ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምምራሕ ተ.ሓ.ኤ. ዓብላሊ ዝኾነን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት መሰረታዊ ውሳኔታት ዘሕልፍን ዝነበረ ሰልፊ ዕዮ፡ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ብፖለቲካውያን ተጻረርቱ ብቀሊሉ ዝጥቃዕ ዕላማ ኣይኮነን። ንዕኡ ኣጥቒዖም ንሳቶም ናጻ ዝወጽሉ ዕድል ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ኩሉ ብዘይቅድመ ስምምዕ ብሓባር ሓላፍነት ክስከም ኢዩ ተሰማሚዑ ክብሃል ይካኣል።

በዚ ድማ፡ ፖለቲካዊት ኮሚተ ኣብ ሓፈሻዊ መጋባእያ ጉባኤ ብዛዕባ ደሞክራስያዊ ዘተ ምስ ህ.ሓ.ሓ. ንድፊ ውሳኔ ምስ ኣቕረበት ኩሉ ብሓባር ኢዩ ተሰማሚዕሉ። እቲ ውሳኔ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

"1. ካብዚ ዝስዕብ መተካላዊ እምነትና ተበጊስና፣
 ሀ. ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብሓደ እስትራቲጂ ዝምራሕ ሓደ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ውድብ ክህሉ ግድንን ኣገዳስን ስለዝኾነ፡
 ለ. ኣገዳስነት ህላወ ሓደ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡
 ሓ. ኣገዳስነት ህላወ ሓደ መሪሕነት ንውድብ ሰውራ፡
 2. ከምቲ ተመኩሮ ዘረጋገጾ፡ ካልኣዊ ፍልልያትን ግርጭታትን ብኣገባብ ደሞክራስያዊ ዘተ ክፍታሕ ኣለዎ ኣብ ዝብል መትከላዊ መርገጺና ብምቕጻል፡
 3. ነዚ ኣብ ሜዳ ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ዝተራኣየን ዝኻየድ ዘሎን ለውጢታት ንምግጣም፡

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ነዚ ዝስዕብ ይውስን።
 1. ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ንምርግጋጽ ምስ (መሪሕነትን መሰረታትን ህ.ሓ.ሓ.) ብኩሉ ናይ መራኸቢ ኣገባባት ደሞክራስያዊ ዘተ ምክያድ።
 2. ኣብዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መተካላት ተመርኲሱ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ኣድላዪ መደባትን ውጥናትን ንኽገብር፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንሰውራዊ ባይቶ ይምዝዝ።"

ብዝይጥርጥር እቲ ውሳኔ ካብ ውሳኔ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ዓቢ ምዝላቕ ዝቖጸር ኢዩ። እቲ ምዝላቕ ግን ብወገን እቶም ወሰንቱ ናብቲ ብሓደ ውድብ፡ ሓደ ሰራዊት ሓርነትን ሓደ መሪሕነትን ዝኣምን ንፍልልያትን ካልኣይ ግርጭታትን ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ክፍታሕ ኣለዎ ዝብል ቀንዲ መትከላዊ መርገጺ ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ ነይሩ። እዚ ከኣ ውሳኔ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ካልኦት ዝተጠቕሱ ወገናት ነዘን ክልተ መትከላት ስለዝነጸገ ዝመጸ ፍሉይ ምዕባለ ነይሩን፡ ሕጂ ግን እቶም ኣብ ሓደ ውድብ ዝተጠርነፉ ወገናት ስለዝተቐበሉዎ ኣብቂዑን ማለት ኢዩ። መደብ "ቅንጸላ" ዕላማኡ ምሉእ ብምሉእ እኳ እንተ ዘየረጋገጸ፡ ነቶም ትማሊ ንመትከል ዘተ ዝነጸጉ ዝነበሩ ነቲ መትከል ንኽቕበሉ ናይ ጸቕጢ ምግባር ተራ ተጻዊቱ ዝብል ሓደ ካብቲ ኣብ ክትዕ ብተደጋጋሚ ዝቐርብ ዝነበረ ምኽንያታት ኢዩ ነይሩ። ብተወሳኺ እቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ዝመጸ ለውጢታት እውን ናቱ ተራ ነይርዎ።

ኣብቲ ውሳኔ ጉባኤ ዝተጠቕሰ "መትከላዊ መርገጺና" ዝብል ሓረግ ብዘይ መሰረት ኣይኮነን። እቲ ውሳኔ፡ ውድብ ብምልኡ ድሕሪ'ቲ ምፍንጫላት ዝተኸስተሉ እዋን ኣብ ዘካየዶ ዓቢ ርክብ (ጉባኤ ዓዋተ 1971) ንምእንቲ ረብሓ ደሞክራስያዊ ዘተ ዘሕለፎ ውሳኔ ኢዩ ዘመልክት ነይሩ።

# 4. ምምሕያሽ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ውድባዊ ቅርጽን

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራን ዝተኸስተ ምዕባለታትን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ዝተረኸበ ውጽኢትን ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ምምሕያሽ ገይሩ ኢዩ።

- ብወገን ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ እቲ ፕሮግራም ነቲ ንንጉስ ሃይለስላሰን ንጉሳዊ ስርዓትን ዘውደቐ ምዕባለታትን **"ግዝያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳራዊ ባይቶ (ደርግ)"** ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ዘካየዶ ተግባራትን ተንቲኑ። ኣፈታትሓ ጉዳያ ኤርትራ ብዝምልከት፡ እቲ ስርዓት ብዛዕባ ዝተኸተሎ ኣመልኪቱ ካብቲ ኣብ መጀመርታ ኣብ ስልጣን ክመጽእ ከሎ ዘልዓሎ ጭርሖ ሰላማዊ ፍታሕ ከም ዘዝለቐን ተጻባኢ ኵናት ከም ዝሓየለን ሓቢሩ። ብዛዕባ'ዚ ኣመልኪቱ እቲ ፕሮግራም **"ፋሽሽታዊ ባህሪ ናይዚ ሓድሽ ስርዓት ብዝያዳ እናበርሀ መጺኡ፡ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ርእይዎ ዘይፈልጥ ጃምላዊ ህልቂትን መቕዘፍቲን ኣጋጢምዎ። ፋሽሽታዊ ተግባራት ናይዚ ሰርዓት'ዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ደርቢታት ኤርትራ ኣብ ጎኒ ናጽነት ኤርትራ ደው ከምዝብሉ ገይርዎም ኢዩ"** ይብል።

ባህሪ ናይዚ ሓድሽ ስርዓት ድማ በዚ ዝስዕብ ኣነጺሩዎ።

**"እዚ ዝተጠቕሰ ሓቅታት፡ እዚ ሓድሽ ስርዓት'ዚ ንምንቅስቓስ ሓፋሽ ዝጻበእ ተገላባጢ ባህሪ ዘለዎ ናይ ንእሽቶ ብርዥዋ ስርዓት ምዃኑ ኢዩ ዘረጋግጽ። ነቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ፍጻሜታት ዘረጋገጾ ትምክሕታውን ፋሽሽታውን ባህሪ ናይቲ ስርዓት እንተ ድኣ ወሲኽናሉን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘካይዶ ናይ ተጻብኦ ኵናት ምስ እንርኢን፡ እዚ ሓድሽ ስርዓት'ዚ ቀስ ብቀስ ናብ ሕቑፊ ሃጸይነት ኣሜሪካ ምሉእ ብምሉእ ክወድቕ ኢዩ።"**

- ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ. ብዝምልከት ድማ እቲ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ክልተ ምምሕያሻት፡ ሓደ ምምዕባል ቋንቋታት ብዝምልከት፡ ካልኣይ ድማ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ተ.ሓ.ኤ. ብዝምልከት ተገይርሉ።

ቀዳማይ ምምሕያሽ፡ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ነቲ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ቋንቋታት ኤርትራ ብዝምልከት ዘሕለፎ ውሳኔ ሰሪዙዎ። ንምዝኽኻር ዝኣክል እቲ ናይ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ውሳኔ፡ **"ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብሄራዊ ጉጅለ ንሓድሽ ኤርትራዊ ሰውራዊ ባህሊ ብዘማዕብል ኣገባብ ናይ ገዛእ ርእሳ ቋንቋ ከተማዕብል መሰል ኣለዋ"** ዝብል ኢዩ ነይሩ።

እዚ ሓሳብ'ዚ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ክሳብ ክንደይ ነዊሕ ክትዕ ከም ዝተኻየደሉን ምስ ጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ ከም ዝተኣሳሰረን እውን ኣብ ምዕራፍ 12 ርኢና ኔርና።

ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ዝተኻየደ ክትዓት ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ጥራይ ኣየብቀዐን። ብድሕሪኡ እውን በቶም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ዓቃባዊ ባህሪ ዝነበሮም ተቓውምኦም ብምቕጻል ሓፈሻዊ ርእይቶ ንምጥራይ ብዙሕ ፈተነታት ኣካይዶም ኢዮም።

ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘሕለፎ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ጸጋማዊ ምንባሩ ካብ ዝኾነ ስውር ኣይነበረን። ተቓወምቲ ምምዕባል ቋንቋታት ንነፍሲ ወከፍ ሕጥቦ ናይቲ ፕሮግራም ከድምጹ ከለው ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ይፈልጥዎ ነይሮም ኢዮም። ይኹን እምበር ኣብ ጉዳይ ቋንቋታት ዝወሰድዎ ተሪር መርገጺ በቲ ኩሉ ዝርድኦ ቋንቋ ምስ ሃገራዊ

ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብምትእስሳር ክዝረበሉ ስለዝክእል ኢዩ። እዚ ግምት'ዚ ግን ንኹሎም'ቶም ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ይኹን ድሕሪኡ ንጉዳይ ቋንቋታት ዝቓወሙ ዝነበሩ ዘጠቓልል ኣይኮነን። ከምቲ ኣብ ምዕራፍ 12 ዝሓበርናዮ ብዙሓት ካብቶም ዝቓወሙ ዝነበሩ ኣብ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝነበሮም ስክፍታታትን ቋንቋ ዓረብ ከይሃስስ ስለዝስግኡን ኢዩ።

ዋና ናይቲ ፕሮግራም ዝኾነ ሰልፊ ዕዮ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ቋንቋታት ብዝምልከት ዝኾነ ኣብ ባይታ ዝተገበሮ መደብ ኣይነበረን። እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ዝተላዕለ ንኣቓልቦ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዝሳሓበ ጉዳያትን ዝተላዕለ ውሽጣዊ ሽግራት ሰልፊን ብዛዕባ ቋንቋታት ምዝርራብ ወይ ብዛዕባ ክትግበረ ዝካኣል ምሕሳብ ዕድል ኣይሃቦን።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ፖሊሲ ምምዕባል ቋንቋታት ዝተኸተለን ዝተኸላኸለሉን ኣብ ምጽዳቑ ዝተዓወተን ሰልፊ ዕዮ፡ ኣብቲ ኣብ ክሊ ዝተፈልየ ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ዝተኻየደ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ጉዳይ ቋንቋታት ካብቲ ፕሮግራም ክሰርዞ ኢዩ ወሲኑ። ነቲ ድሕሪ ጉባኤ ንተ.ሓ.ኤ. ዝጸበ ዝነበረ ብድሆታት ንምግጣም ንግዝይኡ ነቲ ዘፈላሊ ነጥቢታት ምእንቲ ውሽጣዊ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ. ንምዕቃብ ምስጋሩ ግድን ኮይኑ ኢዩ ተራእዩዎ።

እታ ኣባላት ሰልፊ ዝቆጻጸርዋ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ጉባኤ፡ ነቲ ጉዳይ ምኽንያት ከየቕረበት ካብቲ ፕሮግራም ሰሪዛቶ። ስለምንታይ ምምሕያሽ ከም ዝተገብረ ዝሓተተ እውን ኣይነበረን።

ካልኣይ ምምሕያሽ፡ ጉባኤ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ ምውሳኹ ኢዩ።

**"ካብቲ ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ዓረባዊ ብሄር ዝተኣሳሰሮ ናይ ፖለቲካን ታሪኽን ባህሊን ስልጣነን ዝምድናታት ብምብጋስ፡ ኣንጻር ሃጸይነትን ጽዮንነትን ዝካየድ ናይ ሓባር ቃልሲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ሃገራት ዓረብ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ዘበርከትኦ ዶብ ኣልቦ ሓገዛት ልዑል ግምት ብምሃብ፡ መሪሕነት ሰውራ ነዚ ሕውነታውን ገድላውን ዝምድናታት'ዚ ኣብ ምዕማቑ ክሰርሕ ኢዩ።"**

እዚ መወሰኽታ'ዚ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዝኣተወሉ ቀንዲ ምኽንያት ኣብቲ እዋን'ቲ ውሽጣዊ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ ንምሕላው ተባሂሉ ኢዩ። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጉባኤታት ኣብ ዝነበረ እዋን ብዛዕባ ሰልፊ ዕዮ ንሓቀኛ ደገፍቲ ሰውራ ኤርትራ ዝኾኑ ጎሰዩ፡ ንታሪኻውን ናይ ስልጣነን ዝምድናታት ህዝቢ ኤርትራ ምስ ዓረባዊ ብሄር ክሒዱ፡ ነቲ ንሰውራ ኤርትራ ዝኾነ ነገር ዘየበርከተ ማሕበርነታዊ ደምበ ከም እስትራተጂያዊ መሓዛ ቆጺሩዎ እናተባህለ ብዙሕ ይዝረብ ነይሩ ኢዩ።

እዚ ዘረባ'ዚ ወጻኢ ልኡኽ ህ.ሓ.ሓ ካብቲ መጀምርታ ፍልልያቱ ምስ ጠቕላሊ መሪሕነትን ካብቲ ኣንጻር ጠቕላሊ መሪሕነት ኰናት ዝኣወጀሉን ካብ ተ.ሓ.ኤ. ከም ዝተፈንጨለ ዝሓበረሉን ኣብ ሕዳር 1969 ዘካየዶ ጉባኤ "ዓማን"ን ጀሚሩ ዝዛረቦ ዝነበረ ብምዃኑ ሓድሽ ኣይኮነን። ወጻኢ ልኡኽ ንፖለቲካዊ ፕሮግራም ተ.ሓ.ኤ. ንዝምድና ህዝቢ ኤርትራ ምስ ዓረብ ዝጻረር ከም ማሕበርነታዊ ፕሮግራም ገይሩ ብምግላጽ ኣንጻሩ ብዙሕ ሰሪሑ ኢዩ። እንተኾነ ግን መግለጺታት ወጻኢ ልኡኽ ካብ ተጻራሪ ወገን ዝመጽእ ስለዝነበረ መሰረታዊ ምኽንያት ኣይነበረን።

ነቲ ዝተገብረ ምምሕያሽ ንኽግበር ዝድረኸ ቀንዲ ረቛሒ፡ ነቲ ሰልፊ ዕዮ ብዝምድና ህዝቢ ኤርትራን ሰውራ ኤርትራን ምስ ሃገራት ዓረብ ኣይግደስን ኢዩ፡ ነቲ ሃገራት ኣዕራብ ንሰውራ ኤርትራ ዝሃብዎ ደገፍ ኪሒዱ ኢዩ ዝብል ብባዓሳውያንን

ካልኦት ዓረባዊ ዝምባለታት ዝነበሮምን ዝቀርብ ዝነበረ ዘረባታት ንምምላስ ኢዩ ነይሩ።

ልክዕ'ዩ እቲ ፕሮግራም ብዛዕባ ኣገዳስነት ምሕያል ዝምድና ተ.ሓ.ኤ. ምስ ኩሎም ኣህጉራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት፡ ጸረ ሃጸይነትን ጽዮንነትን ዝኾና ሃገራትን ውድባትን ይዛረብ ኢዩ፡ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ምስ ገስገስቲ ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃን ክምዕብል ዘለዎ ዝምድናታት ይጠቕስ ኢዩ። ይኹን እምበር፡ ሰልፊ ዕዮ፡ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝብታትን ሃገራትን ዓረብ ዘለዎ ታሪኻዊ ዝምድና ዘይኣምነሉ ጉዳይ ኣይነበረን። በዓሳውያን ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዛዕባ'ዚ ዝምድና'ዚ ብዙሕ ተዛሪቦም ኢዮም። እቲ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ተቓውም ካብ ሰልፊ ዕዮ ግን ኣየጋጠሞምን።

* * *

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ነቲ ኣብ ቅርጺ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤን ኣገባብ ኣመራርጻኡን፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝፈጸሞ ጌጋ ኣሪምዎ ኢዩ። ብመሰረት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝገበረቶ ምምሕያሽ፡ ጉባኤ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ክመርጽ፡ ሰውራዊ ባይቶ ድማ ካብ መንጎ ኣባላቱ ፈጻሚት ሽማግለን ንክልቲኡ ኣካላት ዝመርሑ ኣቦ መንበርን ምክትሉን ክመርጽ ወሲኑ። ሰውራዊ ባይቶ ብ41 ኣባላት፡ ፋጻሚት ሽማግለ ድማ ብ9 ኣባላት ክቖሙ ከኣ ወሲኑ። ብዘይካ ኣቦ መንበር ነፍሲ ወከፍ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ቤት ጽሕፈት ይመርሕ።

ኣብ ውሽጢ ጉባኤ ብዛዕባ ምክትል ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ነዊሕ ክትዕ ተኻይዱ። ክልተ ርእይቶታት ድማ ቀሪቡ። ሓደ ርእይቶ እቲ ምክትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳይ ክኸውን ኣለዎ ክብል ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ርእይቶ ድማ፡ እቲ ጉዳይ ንሰውራዊ ባይቶ ክግደፍ ኣለዎ ዝብል ነይሩ። ድምጺ ምስ ተገብረ ድማ ቀዳማይ ርእይቶ ተዓዊቱ። በዚ ድማ ከም ሓላፊ ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳይ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ብሰውራዊ ባይቶ ዝምረጽ በቲ ኣቐዲሙ ጉባኤ ዝወሰኖ መሰረት ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ይኹን ፈጻሚት ሽማግለ ምክትል ኣቦ መንበር ይኸውን ማለት ኢዩ።

እቶም እቲ ቀዳማይ ርእይቶ ዝደገፉ ዘቕረብዎ ምጉት፡ ፖለቲካዊ ስራሕ ቀዳምነት ንምሃብ፡ እንተ ድኣ ምክትል ኣቦ መንበር ብናይ ካልእ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ተታሒዙ፡ ፖለቲካዊ ስራሕ ከይርሳዕ ዝብል ኢዩ ነይሩ። ካብ ተመኩሮ ተ.ሓ.ኤ. ብምብጋስ ከኣ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ከም ምክትል ኣቦ መንበር እንተድኣ ተመሪጹ ፖለቲካዊ ስራሕ ፍጹም ኣቓልቦ ኣይረከብን ኢዩ ዝብል ስግኣታት እውን ነይሩ ኢዩ። እቲ፡ ነቲ ጉዳይ ሰውራዊ ባይቶ ክግደፍ ዝጠለብ ዝነበረ ርእይቶ ብዙሓት ደገፍቲ እኳ እንተነበርዎ፡ እቲ ዝበዝሐ ግን ነቲ ቀዳማይ ርእይቶ ስለዝሰዓበ ብድምጺ ክዕወት ክኢሉ።

እቲ ካልእ ዝተገብረ ምምሕያሽ ከኣ፡ ፖለቲካውያን ኮሚሽነራት ኣብ ክፍሊ ምምሕዳራት (ኣውራጃታት) ዝብል ስያመ ናብ ጠቕላላ ኣመሓደርቲ ምቅያር ኢዩ ነይሩ። ብኸምዚ ከኣ ቀዳማይ ሓላፊ ኣብ ክፍሊ ምምሕዳር ጠቕላላ ኣመሓዳሪ ተባሂሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ምምሕዳር ብጣቕላላ ኣመሓዳሪ እትምራሕ ካብ ኣርባዕተ ወኪላት ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚት ሽማግለ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባውን ጸጥታውን ዝቖመት ሽማግለ ትህሉ።

ህዝባውያን ማሕበራት ብዝምልከት ድማ መሪሕነት ጠቅላላ ማሕበር ሓረስቶት ኤርትራውያን፡ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ፡ ከምኡውን ከም ማሕበር ጋዜጣኛታትን ጸሓፍቲን ኤርትራውያን ማሕበር ምድግጋፍ ኤስያን ኣፍሪቃን ኣብ ኤርትራ፡ ቀይሕ ወርሕን ዝኣመሰሉ ማሕበራትን ኣካላትን ክቐውም ጉባኤ ወሲኑ።

# 5. ምምራጽ መሪሕነት

መስርሕ ምምራጽ መሪሕነት (ሰውራዊ ባይቶ) ፖለቲካዊ ዕብየቶም ብዘየግድስ ሰለስተ ሓይልታት ኢዮም ኣካይዶምዎ።

ሰልፊ ዕዮ ከምቲ ዝተዓዘብናዮ ኣብ መሪሕነቱ (ብሰለስተ ኣባላት ዝቆመ ስክረታርያ) ተኻፋፊሉ ነይሩ። ጉዳይ ምምራጽን ዘይምምራጽን ሕሩይ ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ሓደ ካብቲ ዘፈላሊ ነጥቢ ኮይኑ። ኣብዚ ጉዳይ ኣታሓሕዛ ሰክረታርያ ሰልፊ ዓቢ ስግኣት (Confusion) ዝመልአ ኢዩ ነይሩ።

“**ሰክረታርያ ሰልፊ ብምሉኣቶም (ሰለስቲኦም ኣባላት) ስም ሕሩይ ዘለዎ ሊስታ ኣዳልዮም ናብ ኣባላት ዘርጊሖምዎ። እንተኾነ ግን እቶም ክልተ ኣባላት ሰክረታርያ ኣዜን ያሲንን ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ብኣባላት ሰልፊ ተጽዕኖ ምስ ባርትዮም ንበይኖም ኮይኖም ሕሩይ ዘይብሉ ኣብ ክንድኡ ኣባል ሰልፊ ዘይኮነ ማሕሙድ እስማዒል ኣልሓጅ ብምእታው ካልእ ሊስታ ዘርጊሖም።**” ክብል ሙሓመድ እድሪስ ሕመዳይ ሓቢሩ። ሕመዳይ፡ ንሱን ኣሕመድ ሼኽ እስማዒልን ሕመድ ሙሓመድ ስዒድ ኩሉን ብዛዕባ'ቲ ዝተገብረ ለውጢን ጉጉይ ኣገባባቱን ከም ዝተመያየጡን ንኣባላት ሰክረታርያ ክረኽብዎም ከም ዝወሰኑን፡ ብልክዕ ድማ ንሱን ኣሕመድ ሼክ እስማዒልን ከም ዝረኸብዎምን ዝፈጸሞዎ ኣገባብ ጉጉይ ምዃኑ ከም ዝሓበርዎምን ንሕሩይ ረኺቦም ስሙ ካብቲ ሊስታ ንኸስሕብ ብግልጺ ንክሕብርዎ ከም ዝገለጽሎም ይሕብር።[172]

ብድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ንሕሩይ በቶም ክልተ ኣባላት ሰክረታርያ ዝተባህለን ናቱ ምንጻግን ካልእን ብዙሕ ብዛዕባ ሓቅነቱ ክረጋገጽ ዘይካኣል ዘረባታት ተባሂሉ ኢዩ።

ብዝኾነ ግን መብዛሕትኦም ኣባላት ሰልፊ፡ ዋላ ሰክረታርያ ሰልፊ ብሓባር ሕሩይ ክምረጽ እንተዝሳማምዑ ንረብሓ ሕሩይ ከድምጹ ድልዋት ኣይነበሩን።

ሕሩይ፡ ነቲ ኣንጻሩ ዝነበረ ናይ ሓባር መርገጺ እናፈለጠ እንክሎ ግን ኣብ ውድድር ኣትዩ።

ከምኡ'ውን ኣብ መሪሕነት ንምድያብ ኣብ ሜዳ ውድድር ዝኣተወ ሓድሽ ዓረባዊ ብሄራዊ ሓይሊ ነይሩ። እዚ ንእሽቶ ሓይሊ'ዚ ቀንዲ ካብ ተማሃሮ ባቅዳድ (ዒራቕ) ዝቆመ ኮይኑ፡ ምቅልቃሉ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ሓድሽ ኢዩ ነይሩ። ስነ-ሓሳቡ፡ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣይተዘርገሐን ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ውሽጢ ካብ ወጻኢ ዝመጹ ገለ ወከልቲ ደገፍ ነይሩዎ ኢዩ። ከምኡ'ውን ካብ ገለ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ምድንጋጽ ነይርዎ። ቀንዲ መራሒ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ብዓሳዊ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ምስ ገለ ብጾቱ ኣብ ውድድር ምርጫ ኣትዮም።

እንተ ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ እድሪስ ሙሓመድ ኣደም ኣቐዲሙ ኣብ ውድድር ከይኣቱ ወሲኑ ስለዝነበረ፡ ብድሌቱ መሪሕነት ገዲፉዎ ኢዩ። ሰልፊ ዕዮ እውን እንተኾነ ምስኡ ተባቲኩ ስለዝነበረ፡ እንተ ድኣ ኣብ ምርጫ ክወዳደር ፈቲኑ ኣንጻሩ ክሰርሕ ወሲኑ ነይሩ ኢዩ።

---

[172] ደራሲ ምስኡ ብ11-3-2007 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ

ውጽኢት ምርጫ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።

- ሕሩይ ተድላ ባይሩ ዝወሓደ ድምጺታት ብምርካቡ ወዲቑ።
- ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ እውን ዝወሓደ ድምጺ ብምርካቡ ወዲቑ።

- ሰልፊ ዕዮ ካብቲ 41 መናብር ሰውራዊ ባይቶ 33 መናብር ብምርካቡ ብገፊሕ ተዓዊቱ።[173]
  ብዝኾነ ግን፡ እቲ ንረብሓ ሰልፊ ዕዮ ዝተደምደመ ወሳኒ ወጻኢት ዘገርም ኣይነበረን።

---

- [173] ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

  1. ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር
  2. ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል
  3. መልኣከ ተኽለ
  4. ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ
  5. ዓብደላ ስሌማን ዓብደላ
  6. ተስፋማርያም ወልደማርያም
  7. ሓምድ ኣደም ስሌማን
  8. ተስፋይ ወልደሚካኤል "ደጊጋ"
  9. ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ
  10. ኣዜን ያሲን
  11. ሓምድ ማሕሙድ ሓምድ
  12. ዓሊ ሙሓመድ ኢሳሓቕ
  13. ሙሓመድ ሓምድ ዑስማን "ቱምሳሕ"
  14. ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም
  15. ዮሱፍ ብርሃኑ
  16. ዓብደልቃድር ሮመዳን
  17. ማሕሙድ ሓሰብ
  18. ዓንደኣብ ገብረመስቀል
  19. ተስፋይ ተኽለ
  20. ሓይልኣብ ዓንዱ
  21. ሳልሕ ኣሕመድ ኣያይ
  22. ግርማይ ገብረስላሰ "ቀሺ"
  23. ስዒድ ሑሴን
  24. ዮውሃንስ ዘርእማርያም
  25. ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ
  26. ኣምና ሙሓመድ ዓሊ መለኪን
  27. ዮሱፍ ስሌማን
  28. ገብራይ ተወልደ
  29. ፍስሃየ ገብረሚካኤል
  30. ኢብራሂም እድሪስ ሙሓመድ ኣደም
  31. እድሪስ ሮመዳን
  32. ኸሊፋ ዑስማን
  33. ኢብራሂም ማሕሙድ ገደም
  34. ታረቐ በራኺ
  35. ሑሴን ኸሊፋ
  36. ዓሊ ሙሓመድ ኢብራሂም
  37. ማሕሙድ በሸር
  38. ስሌማን ሙሳ ሓጅ
  39. በሸር ዓብደልቓድር
  40. ኣብርሃም ተኽለ ዓንደለ
  41. ሙሓመድ እስማዒል ዓብዱ

- ሰውራዊ ባይቶ ካብ መንጎ ኣባላቱ ዝመረጾም ፈጻሚት ሽማግለ እዞም ዝስዕቡ 9 ኣባላት ኢዮም።
  1. ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን።
  2. ኢብራሂም እድሪስ ቶቲል ምክትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳይ ቤት ጽሕፈት።
  3. ተስፋይ ወልደሚካኤል "ደጊጋ" ጻሓፊ ፈጻሚት ሽማግለ።
  4. ዓብደላ እድሪስ ሙሓመድ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት።
  5. መልኣከ ተኽለ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ጸጥታ።
  6. ተስፋማርያም ወልደማርያም ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና።
  7. ኢብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ።
  8. ኣዜን ያሲን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት (ጸኒሑ ኣብ ነሓሰ 1978 ብዓብደላ ስሌማን ተተኪኡ።)
  9. ሓምድ ኣደም ስሌማን ሓላፊ ምጣነ ሃብቲ ቤት ጽሕፈት።

ንኣባልነት ሰውራዊ ባይቶ ናይ ምሕጻይ መሰል ንኩሉ ኣባል ጉባኤ ክፉት ኢዩ ነይሩ። ከም ዕድመ ቃልሲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ወይ ከኣ ምሉእ ግዜኻ ንውድብ ምግልጋል ዝብል ዝተገብረ ቅድመ ኩነት ናይ ምርጫ ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ዋላ ነቶም ሓደስቲ ተሰለፍቲ ከይተረፈ ንኣባልነት ሰውራዊ ባይቶ ክሕጽዮን ክወዳደሩን ክፉት ዕድል ኢዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣባል ደርግ ዝነበረን ቅድሚ ጉባኤ ብገለ ኣዋርሕ ንደርግ ራሕሪሑ ዝተሰለፈን ሽምበል ሚኪኤል ኣይተዓወተን እምበር ኣብ ውድድር ምርጫ ኣትዩ ነይሩ ኢዩ።

* * *

ከምዚ ኢሉ ከኣ ጉባኤ ኩሎም ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. ብሓባር ዝተስማምዕሉ ፖለቲካዊ መስመር ውድብ ነቲ ዝተጠቕሰ ገለ ምምሕያሻት ድሕሪ ምግባር ኣጽደቐ። ምስ ህ.ሓ.ሓ. መትከል ዘተ ብምጽዳቕ ድማ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ሰውራ ብሓባር ተሰማሚዑ። ከምኡ'ውን ንኣገባብ ምርጫ ይኹን ቅኑዕነቱ ዋላ ሓደ ዘይነቐፎ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መሪሕነት መሪጹ።

ይኹን'ምበር እቲ ተ.ሓ.ኤ. ትኣትዎ ዝነበረት ሓድሽ መድረኽ ኣብ ጉዕዞኡ ካብ ብድሆታትን ጸገማትን ናጻ ኣይነበረን።

እቲ ዓቢ ሓድሽ ሓይሊ ዘጠቓልል ዳግመ ስርርዕን ምህናጽን ውድብ እሞ ከኣ ሓድነት ተ.ሓ.ኤ. ብዘውሕስ ኣገባብ፡ ሓደ ካብቲ ዝጽበ ዝነበረ ዓቢ ብድሆ ኢዩ ነይሩ። ምስቲ ንተ.ሓ.ኤ. ኣንጻላልዩ ዝነበረ ኣስላማውን ብሄራዊ ዓረባዊ ኣረኣእያታትን ብኸመይ ትዋሳእ ነፍሱ ዝኸኣለ ሕቶ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ንፖሊሲ ናይቲ ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ወተሃደራዊ መኸትኡ ዝሓየለን ኣብ ከተማታት ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣረሜናዊ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝፍጽም ዝነበረን ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ምምካት ዝዓበየ ብድሆ ኢዩ ነይሩ።

ልዕሊ ኩሉ ድማ ሕቶ ሓድነት ሰውራ፡ ገና ፍታሕ ዘይረኸበ ተንጠልጢሉ ዝነበረ ሕቶ ኢዩ ነይሩ።

**... ተፈጸመ ...**